መረብ ምላሽ

****

(ብ ኣጀው መረብ)

Roberto Chiaramonte
Editore

መረብ ምላሽ

****

(ብ ኒጆው-መረብ)

ብ

ሩፊሎ ፐሪኒ

(ገብረ-ንጉስ)

ፈረንጺ-ኢጣልያ -1905 ዓ.ም.

ትርጉም፡ ቪቶርዮ-ሮንካሊ

ቶሪኖ-ኢጣልያ -1997 ዓ.ም.

Roberto Chiaramonte
Editore

መሰል ድርሰት ዝተሓለወ እዩ።
All rights Reserved

1ª Edizione
Finito di stampare Giugno 1997
Chiaramonte Roberto Produzioni Grafiche

© CHIARAMONTE ROBERTO - Torino
Printed in Italy
Tutti i diritti riservati

መተሓሳሰቢ

ኣብቲ ኣቐዲመ «ኤርትራ፡ካብ ኣዱሊስ ንናጽነት= Eritrea : da Adulis all'indipendenza» ብዝብል ኣርእስቲ ብቛንቋ-ጥልያን ዘዳለኽዎ ቀዳማይ ጽሑፈይ ዝርከቡ ፍሉያት ምዕራፋት ኣተኲረ ብሰፊሑ ምዝርዛርም ዝወሰንኩዎ ሓድሽ መደብ፡ ሓድሓደ ናይ ታሪኽ ኣርእስቲ ኣብ ግሁእ መስርዖም ብመልክዕ ስነ-ጽሑፍ ምቕራብ እዩ ዝነበረ ዕላማይ።

ብዛዕባ ጥንታዊ-ታሪኽ ኤርትራ ተገዲሶም ካብ ዝደረሱ ደረስቲ እተረኽበ ውጽኢት ናይቲ መጽናዕቲ፡ ምስ'ዚ ሎሚ ክም ትርጉም ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ ተዛማዲ ምዃኑ ብዝተገንዘብኩ፡ ክለዓሉን-ክትንከፉን ዝግብኦም ናይ ታሪኽ ገለጻታት እውን ክብድ ዝበሉ ብምዃኖም፡ ኻራ-ጸግዒ ዘይሓዘ መጽሓፍ ክኸውን ምእንቲ፡ ከመይ ኣቢልካ ተቕርቦ ? ዝብል ናይ ኣገባብ ሕቶ እዩ ተሪፉ ዝነበረ።

ስለ'ዚ እየ'ውን ነዛ ጥንታዊት «መረብ/ምላሽ» ምትርጓም መሪጸ።

ፋሬሎ-ፕሪኒ እተባህለ ኢጣልያዊ-ደራሲ፡ ኣብ ናይ መጀመርያ እዋናት መግዛእቲ-ኢጣልያ እዩ ኣብ ኤርትራ ነይሩ። ምእንት'ዚ፡ብዛዕባ'ቲ ናይ ሽዑን-ቅድሚኡን ዝጸንሐ ኩነታት/ናይ ታሪኽ ፍጻሜታትን ዝኣክል ሓበሬታ ክስንቕን-ክመዝግብን ዕድል ዝረኸበ እዩ።

ነዚ፡ ብተገዳስነት ተበጊሱ ጥራሕ ዘይኮነ ብውሕልነት እውን በቒዕዎ ብስነ-ጽሑፍ ኣቢሉ ኣመሓላሊፉልና ይርከብ።

ክም ወዮ ባዕሉ ዝበሎ ድማ ነዚ መጽናዕቲ'ዚ ኣብ ምድላው፡ ትርፊ-ጊዜ እናተጠቐመ ዘዋህለሎም ሓበሬታ ብምዃኖም፡ተጽዕኖ ኩነ ጸግዒ ክኸውንዎ ካብ ዝኽእሉ ሓይሊታት-ጽልዋታት ነጻ ኩይኑ እዩ ኣኪብዎም። ስዒቡ ክም ዝገለጾ ድኣ፡ እቲ ጽሑፍ ተፈጺሙስ 10 ዓመት ዝኣክል ተዓቂቡ ከይተሓትመ ምጽናሑ፡ ንደራሲ ዝገጠምዎ ጸገማት ወይ ናይ ዲፕሎማሲ-ሽለል፡ ርእይቶኡ -ርእይቶ ናይቲ ስርዓት ክም ዘይነበረ ንምርዳእ ዝኣክል እዩ።

ብኣንጻሩ ግና ግዳይ ናይቲ ወራር ዝነበረ ህዝቢ-ኤርትራ ሓድሓደ መልክዓት ታሪኹ ክምዚ'ሉ ተዓቂቡ ብምጽናሑ፡ ሎሚ ብመጽሓፍ ኣቢሉ ክግንጽሎ እንክሎ፡ እቲ ዝፈለጠ ክዘኻኽር -ዘይፈለጠ ድማ ክመሃር ዝኣመሰለ መኽሰብ እዩ ውርሻኡ።

ብሕልፊ እቶም ብድሕሪ ናይ ኢጣልያ ዝሰዓቡ መግዛእታት፡ ታሪኽ ህዝቢ-ኤርትራ ምስራዝ ኣብ ዝብል እከይ ፖሊቲካዊ-ሜላ ተዋፊሮም፡ ብወለዶ ኣቢሎም እውን ክሀስስዎ በቒዖም ምንባሮም ተገንዚብካ፡ ሃገራዊ ሰልፊ ኤርትራ ናይ ታሪኽ መኣዝናት ብቓልሲ ኣቕኒዑ ሃገራዊ-ናጽነት ተጎናጺፉ ኣብ ዘሎ እዋናት፡ ታሪኽካ ብሰፊሑ ምፍላጥን/ ንስፊሕ ምግላጽን ካብ ኩሉ ሓደ-ጭልፋ ናይቲ መድረኽ ዝሓቶ መኸተ።

ኣብዚ ሜዳ'ዚ ተዋፊሮም ዝርከቡ ኤርትራውያን-ደረስትን/ተገደስትን ብዙሓት ምዃኖም ብምግንዛብ፡ እዛ ንእሽቶ ኣበርክቶ እውን ብግደኣ ሓደ-ሕጡብ ናይቲ ዝሃንጽ ዘሎ ኣዳራሽ ክትከውን እዩ ደገፋ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ከተሓሳስቦ ዝደሊ፡ ሓቦ ድኣ'ምበር ናይ ስነ-ጽሑፍ ክእለት ስለ ዘይመለኽኩ፡ ሓድሓደ ናይ ምትርጓም ጉድለታት ኣይስእኑን። ነፍሲ-ወከፍ ኣንባቢ ኣሪሙ ሓበሬታኡ ክበርክት፡ መሰሉ እተሓለወ እዩ። ትሕዝቶኡ ንዝምልከት ድማ፡ እቲ መጽሓፍ ክም ዘለዎ እዩ ተተርጒሙ። በልዮም ዝተረስዑ መልኣኽ-ሞት ዘዘኻኽሩ ሓድሓደ ሓረጋት ንወገን ገዲፍና ድማ፡ ብዓይኒ ደራሲ እተራእየ ታሪኽ/ መልክዕ ሕብረተሰብ- ኤርትራ ከመይ ክም ዝነበረ እዩ እቲ ዋና ዕላሉ።

ኣተርጓሚ።

መረብ ምላሽ

(ብ ነጆው መረብ)

ደራሲ፥ ን "ሲቪላዊ-ኮሚሳርዮ" ኣብ ኤርትራ ልኡል ፈርዲናንዶ ማርቲኒ
ንምስጋና ዘቕረቦ ጽሑፍ።

ኣተርጓሚ፥ ን.. ሚካኤል-እስት-ማሳዊት-ረምሃ-ዳናይት-ዮሃና-ሻም. እተባህሉ
ዕምበባ መንእሰያት ኤርትራ- በዓል፡ምዓል መሓዙእምን ዘበርከቶ ጽሑፍ።

ፍላይ ምስጋና፥ ንቲ ወርትግ ሞራላዊ-ደገፍ ዘበርኪቱ ዘበራትዐን ብርሃ-
ግርሙ (ካመሎ)

ክቡር ኣንባቢ

ኣብቲ ከም ኣዛዚ ስርዓት ሰራዊት ደቀ'ባት ተመዲበ ካብ ወርሒ ሕዳር 1888 ክሳብ መስከረም 1894 ዓ.ም. ኣብ ኤርትራ ዝጸናሕክሉ እዋናት፣ ኩነታት ስራሕ ከም ዝፈቐዶ፣ ትርፊ ጊዜ እናተጠቐምኩ እየ ኣብዚ ብኣና(ኢጣልያ)ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን «ከበሲ ዞባ-ኣስመራ»፣ብቋንቋ ደቀ'ባት ድማ«ነጀው-መረብ»ወይ«መረብ/ምላሽ» ዝበሃል መሬት ዝቕመጡ(ዝነብሩ) ሓደ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ታሪኽ- ባህሊ-ልምድን ክጥርንፍ ክኢለ።

ስለምንታይ እዚ ጽሑፍ'ዚ ?

ናይ መጽናዕተይ ዕላማ፣እቲ ንምብራቕ-ኣፍሪቃ ዝምልከት ብ ቮርነር-ሙዚንገር እተዳለወ ብቑዕ ጽሑፍ፣ ብዝተኻእለ መጠን ምስ'ዚ ንሓደ ክፍሊ-ኤርትራ ዝምልከት ወገን፣ ምዝማድን- ምሉእ ምግባርን እዩ'ቲ መደብ።

እቲ በዚ ሊቅ- ፈላጥ- መስተውዓልን ዝኾነ ሰብ ተገብረ መጽናዕቲ፣ ብመደብ ናይቲ ንሱ ዘገልግሎ ዝነበረ መንግስቲ-ግብጺ እዩ ተኻይዱ። ስለ'ዚ እውን ኑቲ ሰዒቡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣትና (ኢጣልያ) ዝኣተወ ብግብጺ ተወኒኑ ዝጸንሐ መሬት፣ ማለት ን ገማግም ባሕርን/ መሬት ሓባብ-መንሳዕን/ ኑቲ ሰዒቡ ኣብ ዞባ-ከረን እተጠቓለለ ክፋል/ ንዓድታት ብንዓምርን ናይ ከሰላ-ምድርያ/ እዩ ብዝያዳ ዝምልከት ነይሩ። ኑቲ ኣብ ጐረቤቱ ዝርከብ ሰሜናዊ ክፍሊ፣ ማለት ኑቲ ብደቡባዊ-ዶብ፣ ብመስመር ወሓይዛት መረብ- በለሳ- ሙና ዝውሰን ኢትዮጵያዊ ክቡ ዝምልከት ግና፣ ሕልፍ-ሕልፍ እናበለ እዩ ጠቒስዎ።

ኑቲ ግብጻውያን ኣብ ምብራቕ-ኣፍሪቃ ዝውንንዎ ከም እሾኽ ተተኺሉ ዝነቐ ወገን እዮም ድማ ደቀ'ባት፣«ነጀው-መረብ»ወይ«መረብ/ምላሽ» ኢሎም ዝሰምይዎ።

ኣብዚ ክፍለ-ወገን ኣፍሪቃ ግና ኢጣልያ ንግብጺ ምስ ተካእና፣ መረብ/ምላሽ ኑቲ ኣብ ከበቢኡ ዝርከብ መሬት እሾኽ ካብ ምዃን ተሪፉ፣ ምሳኡ ተጠቓሊሉ፣ ሓይልን ዓንድ-ሕቖን ኮይንዎ ይርከብ። ምኽንያቱ ድማ፣ መረብ/ምላሽ ብጆግራፍያዊ-ቅርጺ ኮነ ብጸዕቂ ስለ እተሃዘበን፣ ህዝብታቱ ድማ ምንም'ኳ ናብ " ባርባርነት " እንተተመልሱ፣ ጥንታዊ ስልጣኔኦም ዓቂቦም ኑቶም ኣብ ሃይማኖት ምስልምና ኣሚኖም ካብ ምንጭታት ፈለግ ዓሊገዶ ክሳብ ሰሜሕቲ ባርካ ኣስጊሞም ብመንስ ዝነብሩ ህዝብታት፣ ኣዝዮም ጸብለል ስለ ዝብልዎምን እዩ።

ብርእይቶይ፣ ግዝኣት ከምስረትን-ከመሓደርን ምስ ዝደለ፣ ልክዕን-ደቂቕን ኣፍልጦ ናይ ዝቕመጥዎ ህዝብታት ምጽናዕ፣ ቅድም'ቲ ስእለ-መሬቱ ክስራዕ ዝግብኦ ኩነት እዩ። መንፈስ ደቀ'ባት ምስ ተመልከ እዩ ድማ ከም መቐጸልታ-መደምደምታኡን፣ ወራር ክምደብ ዝከኣል።

ንቕድም መሬት፣ ሰዒቡ ድማ ህዝቢ ምግዛእ ዝብል ግልቡጥ ስነ-ሞጎት ግና፣ ሕማቕ ሳዕቤን-ማዕሳን እዩ መፈጸምታኡ።

ነዚ ኣገባብ ተኸቲለን ናብዚ ዕላማ ንምብጻሕን እየ ድማ ንመጽናዕትታት ቮርነር ሙዚንገር ምስ ህዝቢ መረብ/ምላሽ ከወሃህዶ ፈቲነ። ናይ መጽናዕተይ ውጽኢት ድማ፣ እዚ ብ 1893 ዓ.ም. እተፈጸመ ጽሑፍ እንሆ።

ኣገባብ ኣሰራርዓኡ

ኣብ ሰለስተ ወገን ይኽፈል። ቀዳማይ ክፍሉ፥ ንጥንታዊ ሕጽረ-መሬት መረብ/ምላሽን፣ ብመሰረት እንዳ/ ቀቢላ/ ህዝቢ/ ነዚ መሬት'ዚ ዝነብርዎ ህዝብታትን ይምልከት። ካልኣይ ክፍሉ፥ ታሪኻዊ ባህሊ ናይቲ ዞባ ዘንጽሩ ልምድን-ያታ ህዝብታቱን ይጠቅስ። ኣብ መወዳእታ ድማ ሳልሳይ ክፍሉ፥ ንማሕበራዊ መንበብሮ ናይቲ ህዝቢ ዘላልዩ ምልክታን- ሓበሬታን ተጠርኒፎም ይርከብዎ።

ብኸመይከ ተማሊኡ ?

ሓፈሻዊ መደብን ሓድ-ሓደ ክፍልታት ናይዚ ጽሑፍ'ዝን፡ኣመሓዳሪ ንዝነበረ «ጀነራል ባራቲየሪ»ኮን፡ ኣብ ግዝኣትና ኣዛዚ ሰራዊት ንዝነበረ «ጀነራል ኣሪሞንዲ» ብዘቕረብኩሉም፡ ሓወንታዊ ርእይቶ ምግላጽ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ መፈጸምታ ክበጽሕ ብሓቂ ምትብባዕ ዝሩለይ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ ኣመሓዳሪ ኤርትራ (ጀነራል ባራቲየሪ) እቲ ንሕጽረ-መሬት ዝምልከት ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ናይ «ኢጣልያ ወታሃደራዊ መጽሔት» ክሕተም እውን ብዙሕ ጽዒሩ።

ኣዛዚ ሰራዊት ዝነበረ ጀነራል-ኣሪሞንዲ እውን ብወገኑ፡ በዚ ንኤርትራ ዝምልከት ጽሑፈይ ተጠቒሙ እዩ ነቲ «ምልክታ ብዛዕባ'ቶም እተሃዘቡ ዓድታት ኣብ ኤርትራዊ ግዝኣትና» ዝርእስቱ ድርሰት ክሰናዱ ክኢሉ። ስለዚ'ውን ንክልቲኦም ኣብዚ ኢጋጣም'ዚ ብትሕትና ይዝክሮም።

ብዘይካ'ቲ ንዋንነት መሬት ዝምልከት ሓድ-ሓደ ሓበሬታ ብተገዳስነት ዝኸበረ ሚኒስትሮ(ሚኒስተር) ለኦፖልዶ ፍራንከቲ ብ 15 ሰነ 1893 ዓ.ም. ኣብ «ንዎቫ ኣንቶሎጂያ» እተባህለ ቅጺ "ዋንነት መሬት ኣብ ሰራየ" ዝርእስቱ ጽሑፍ፡ ዝተረፈ ወገን ናይዚ ሉም ዘቕርቦ ዘለኹ መጽሓፍ፡ ዛጊት ክይተሓትመ ተዓቂቡ እዩ ጸኒሑ።

ናይ ምሕታሙ ጸገማት።

ብዘይካ'ቲ ዘሐብን- ብቑዕን ደገፍ ክቡር ፌርዲናንዶ ማርቲኒ -ናይ ኤርትራ ልኡል ሲቪላዊ ኣመሓዳሪ- እዚ ጽሑፍ'ዚ ምናልባት ክሳብ ዕለት ሎሚ ክይተሓትመ ምተረፈ። ተስፋ ኣብ ምቕራጸይ እየ ብሳላ ደገፉ እዚ ንንዊሕ እዋን እተመነኹዎ ሃንቀውታ ክትግበር ተኻኢሉ።

ምንም'ኳ ኣገባብ ኢታሓታትማኡ ኣዕጋቢ፡ ካብ ትሕዝቶኡ ግና ለጠቕ ዝበለ ኮይኑ እንተቐረበ(ከም ወዮ ባዕሉ ክቡር ማርቲኒ ዝበሎን/ ኣነ'ውን ዝሰማምዓሉን)፡ ንጽቡቕ ተበግሶይን-ሕያዋይ ልቦናኡንሲ፡ይዳረጉ እዩ። ብሳላ ጽቡቕ ድልየቱ እዩ ድማ ንብልጫ፡ እዚ ጽሑፍ'ዚ ብምሉኡ ክሕተም ተኻኢሉ።

ጽሑፍ ዘማልኦ ጥቕሚ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ ተፈጺሙስ ክይተሓትመ እንክሎ ዝእርንብ፡ ዳርጋ 10 ዓመት ሓሊፉ'ሉ። ስለዚ'ውን ዝሀልዎ ግብራዊ ጥቕምስ ክሳብ ክንድ'ቲ ኣይኮነን። ኣብ ክምዚሉ እተናወሐ እዋን ድማ፡ እቲ ኣነ ከም ፈላሚ ዝዳህሰስክዎ ነገራት፡ ነቶም ስዒቦም ብክልእት ደረስቲ እተደርሱ ጽሑፋት መድረኽ ኮይኑ፡ ትሕዝቶኡ ድሮ ተቐባልነት ዝረኸበ እዩ። ብዝኾነ ግና፡ እዞም ድሓር እተዳለው ጽሑፋት እውን ከምኡ፡ ዛጊት ስለ ዘይተሓትሙ፡ እዚ ብኣይ ዝቐርብ ዘሎ ነቶም ብድሕር-ሕጂ ንኤርትራ ዝምደቡ ዜጋታትና ብዝኣክል መራኸቢ ክኸውን ተስፋ የንብረሉ።

ረብሓ ንዝርከቦ ግዝኣተ-መሬት/ ስልጣን ኮነ ናይ ቀዳምነት ተገባእን/ ነቶም ኣብ መጸኢ'ውን ዘይተርፉ ኣብ ሞንን እተፈላለዩ ነገዳት ንሓድሕዶምን- ኣብ ሞንጎኦምን መግዛእታዊ መንግስትን ክለዓሉ ንዝኽእሉ ነገር ዝኣልን ዝሕብርን/ ናይ ታሪኽ ሰነድ ክኸውን እውን ይምነየሉ።

እዚ ዕዮ'ዚ፡ ነቲ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ብሃገራዊ ደረጃ ዝረአ ዘሎ ናይ ህዝብን-ኢንዱስትርያዊ ፍርያት ዝቕበበ፡ መፍትሒ-ሽግር ኮይኑ፡ ዘይሓሰሙ ዕዳጋ ንምንዳይ ጠቓሚ ክኸውን እውን ዝድግፍ እዩ። ዓይነት ትሕዝቶኡ ብዘየገድስ ድማ፡ ንዝመጹ ብጾትና፡ ብዛዕባ'ቶም ከምዘሎን-ክልክውን ዘይክእሉ ክሳዕም ንዓለም ዝመርሑ ሞራላውያን ሓይልታት ኣዕሚቖም ኣጽኒዮምን- ተመራሚሮምን፡ ነቲ ድሮ ወጋሕታኡ ዝረአ ዘሎ መግዛእታዊ-ፍጻሜ ኣብ ምዓላ ከውዕሉ ደራኺ ከም ዝኸውን እውን ኣይጠራጠረሉን።

ጽሑፍ ዘመልክቶም ዘመናትን ትሕዝቶ ናይ ዝርከብዎ ሓበሬታን።

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ስፌሮም ዝርከቡ ናይ ታሪኽ ሓበሬታ-ጸብጻባትን፡ኑ ክሳብ መጀመርታ 1893 ዓ.ም. ዘሎ እዋናት ይምልከቱ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ድሮ ኤርትራ ነቲ ክሳብ ሎም ብግብርን- መስልን ዓቲብዎ ዝርከብ ዱርጋ ንምሉእ መሬቱ ዘጠቓልል ዶባት ሓንጺጹ እዩ ጸኒሑ።

ነቲ ሽው ዝስነቕክም ሓበሬታ-ጸብጻባት፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያትን/ባህርን፡ ለውጢ ከምጽኣሉ ኣይበልኩን። ምኽንያቱ ድማ፡ ባህርያት ናይዞም ኣብ ዳሕረዎይ እዋን እተኻየዱ ፍጻሜታት ንምስፋሕን-ምሉኣት ንምግባርን፡ ኣብ ብተዘዋዋሪ ዝርከቡ ሓበሬታ ምምርኳስ ምኹኑ ግዴታኡ። እዚ ድማ ምስቲ ኣቐዲመ እተጠቐምኩሉ ኣገባብ ኣማራንፉ ሓሳብ፡ ዘይሳነ እዩ። ከመይሲ-ንሽማግለን-ሹማምንትን ደቀ'ባት እናተወከሰኩ እየ ርእይቶኣም ኣመዛዚነ፡ ንዘሰማምዕሉ ናይ ታሪኽ ፍጻሜ እናጠርነፍኩ ነቲ ዘይሰ-ማምዕሉ ድማ ደቂቕ መጽናዕቲ ኣሰንየ ኣብቲ ዝዖዳ ናብ ሓቂ ዝቐርብ ሓሳብ ክጽጋዕ ጸኒሐ።

ብከምዚ ክጥርንፎ ዝኽኣልኩ ሓበሬታ፡ ካብ እተፈላለዩ ወገን-ምንጭታትን እተረኸበ፡ ብውድዓውነትን-ዘይሻራን ተመዚኖምን-ተጻርዮምን ብምኽኖም፡ ናብ ሓቂ-ገጾም ክም ዝቐርቡ ይኣምን። ዝተዓወትኩ እውን ይመስል። ከም ዝኣምኖ ድማ፡ ምናልባት ሓድ-ሓደ ካብቶም እተወከስክዎም ሰባት፡ ብስኣን ፍላጥ/ ካብ ዘይምዝካር/ ተጸራሪ ነገድ ብምኳን/ ወይ ድማ፡ ንሓደ ነገር-ይኹን/ታሪኻዊ ፍጻሜ፡ እተፈላለዩ ሰባት፡ ሓደ ዓይነት ርእይቶ ኣይህብሉን፡ካብ ዝብል ባህርያዊ-ሕጊ(ፍቕዲ ሰባት ብዘየገድስ)ዶኹን ? ተደናጊሮም ይኾኑ'ምበር፡ማንም ካብቶም ኣብ መሕትት ዝኣተው ዜጋታት፡ብፍላጥ ካብ ሓቂ ዝረሓቕ ኣየንነፈንን። ጥቕሚ ስለ ዘይነበር።

ኣብ ዘካየድክዎም መጽናዕትን-ምርመራን፡ ንመንግስታዊ-ስራሕ ወፈረ እንተዝኸውን፡ ምናልባት ንረብሓ፡ እቲ ሓቂ ተጠምዚዙ ቀሪቡ ምተባህለ። ብካልእ ወገን ድማ፡ ኣብዚ 10 ዓመት ዘሎ ጋግ ከመልእ ዝበለ፡ ብተገዳስነትን-ጸቡቕ ድልየትን ምስ ዝቐርብ፡ ብቐሊሉ ክማላእ ዝክኣል ጉዳይ እዩ። ብሕልፊ'ኳ ድኣ ከምዝ'ሕጂ ኤርትራ ብምሉኣ ኣብ ትሕቲ ፍጻሜታቱ ዝኪታተልን- ድፍኢት ዝኾነን ሓደ-መንግስቲ ተጠርኒፉ ታሪኻዊ መሰርሑ ተቐላጢፉ ኣብ ዝርከበሉ እዋን።

እተገብረ መወሰኺታ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብምልኡ ይሕተመሉ ኣብ ዘሎ እዋን ግና፡ እቲ ኣብ ናይ «ኢጣልያ ወታሃደራዊ መጽሔት» ድሮ ተሓቲሙ ዝቐረበ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ሰፊሩ ዝርከብ ንመረብ/ምላሽ ዝምልከት ሓፈሻዊ ርእይቶ፡ ሰፊሑን ተወሃሂዱን ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ኣንባቢ ነቲ "ኢትዮጵያ" ተባሂሉ ዝስመ ዞባ፡ እንታይ ምኳኑን- ኣብ ሕሉፍ እዋናትከ ምስ ንጉሰ-ነገስት ናይቲ ንግስነት ኩነ ምስቶም ሎሚ ኤርትራ ተባሂሎም ብባሕረ-ነገስታት ክመሓደሩ ዝጸንሑ ዓድታት፡ ከመይ ዝበለ ዝምድና ከም ዝነበርን ንምርዳእ እዩ ተገይሩ።

ጆግራፍያዊ ስእሊ።

ብድሕሪ ብዙሕ ምጥርጣር-ሲጋእን፡ ነቲ ቀዳማይ ክፋል ካልእ ምምሕያሽ'ውን ተገይ-ርሉ።

እቲ ኣብ «ወታሃደራዊ መጽሔት» ዝወጸ ሕታም፡ ብ "ትልንቲ ኣዞሊኖ ኡቸሊ" ብ ስኬላ(ስከይል) 1/500.000 ተጠርኒፉ እተነድፈ ጆግራፍያዊ-ስእሊ እውን ተሰንዩ እዩ ወጺኡ ዝነበረ። እዚ ማፓ'ዚ(ማፕ) ክወሃሃድ ዝኽእለ፡ካብቲ ብ"ግብጣን ቺኮዲካላ" ነቶም ብስሜናዊ-ወገን ወሓይዛት መረብ-በለሳ-ሙና ዝምልከቱ ዓድታት ተነዲፉ

ዝጸንሐ ስእልን/ ካብቲ "ግብጣን ጀንቲለ" ንቶሎይን ዝምልከት/ ትልንቲ ቫርዲኖ ድማ ን ደቀ-ተስፋ/ ዝዘርዎ ስእላዊ መጽናዕታት ተዋጺኡ እዩ።

እዞም ሎሚ ብብልጫ ኣብ ክብ ዝበለ መዓርግን-ሓላፍነትን ተሸይሞም ዝርከቡ ሕዖ-ዎት ብጾትና፡ ብሊጋስ-መንፈስ እዮም ንዓይን(ደራሲ)ን"ትልንቲ-ኡቸሊ" ዕዮታቶም ኣበርኪቶምልና። ብኣና(ብኣይን- ብትልንቲ ኡቸሊ) እተሳእለ ማፓ፡ ብዝተኻእለ ምሉእን- ምስ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ብዝሰነ መንገድን መታን ክኸውን ድማ፡ ኣድላዪ ምምሕያሽን-መወሰኺታትን ተገይርሉ እዩ ቀሪቡ ዘሎ። ዓቢ ጥቕሚ ዘለዎም ምልክታትን-ሓበሬታትን ድማ ብቶም ሽዑ ትልንቲ/ ሎም ግና ኣብ ደረጃ ግብጣን ክብ ኢሎም ዝርከቡ "መሳጺ"- "ቶዞ" እተባህሉ ዚጋታት'ውን ተወፍዩልና እዩ።

ትልንቲ ኡቸሊ፡ ኣብ ዝዘርናዮ ናይ ሓባር ንዕዞን-ኮለላን እናስኣለ፡ዓቢ ጆግራፍያዊ-ዕዮ እዩ ኣእኪሉ። ኣብኡ ተመልኪቶም ዝርከቡ ቦታታት፡ ልክዕነት ስለ ዝነበሮም ድማ፡ ንብዙሕ ዓመታት እቲ ዝበለጸ ኮይኑ ተረኺቡስ፡ ንሰራዊትን- መግዛእታዊ መንግስትን ዘድሊ ኣገልግሎት ኣወፍዩ እዩ።

እዚ ብዓቢ ክእለት እተነድፈ ጆግራፍያዊ-ስእሊ፡ ብተገዳስነትን- ቁጠባዊ ደገፍ ናይ ኢጣልያ ወታሃደራዊ መጽሔትን፡ ብናይ ውግእ ሚኒስተር ናይ ስእሊ ላቦራቶርዮ (ላቦራቶሪ) እዩ ተባዚሑ ነይሩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ብቲ ስእል'ቲ ክማላእ ብምሕሳብ፡ ንናይ ሽዑ ናይቲ መጽሔት ሓላፊ "ኮሚሳርዮ ኮሉንሎ ቺዞቲ" ብዛዕባ ናይ ምብዛሑ ተኻእሎ ተወከስኩም። ኣብዚ ኢጋማም'ዚ ዘመስግኖ ኮሉንሎ ቺዞቲ ብዓቢ ሕያውነት ፍቓዱ'ኳ እንተገለጸለይ፡ ኣድላዪ መሳርሒታት ብምስኣን፡ምጥቃሰም ዘየድሊ እተፈላለዩ ጸገማት ገጢሙና። እዚ ማሕለኻ'ዚ ንምስጋር፡ ሓድሽ ጆግራፍያዊ-ስእሊ ምድላው መረጽኩ።ንምፍጻሙ ድማ፡ብቲ ብስነ-ፍልጠታዊ ልክዕትነት ሎሚ ብዛዕባ መረብ/ምላሽ ተመሊኹ ዝርከብ ሓበሬታ ዘሰናደወ ወታሃደራዊ-ኢስቲቱቶ(ኢንስቲትዩት) ዘበርክቶ መጽናዕቲ እየ ተጠቒመ።

ካብዚ እተዋጽአ ማፓ(ማፕ)፡ ንጆግራፍያዊ ስእሊ ማያት/ ኣገደስቲ ዝበሃሉ መራኸቢ መስመራት/ ንቶም ኣብ ኮርናዕ ፈለግ መረብን-ማይ በለሳን ዝርከቡ ጉልትታት ኣከለ-ጉዛይ/፡ ብልክዕነት ይገልጸም።

ብእዋኑ፡ ትልንቲ ኡቸሊ ካርታኡ ኣብ ዝስኣለሉ ጊዜ፡ እዚ ሎሚ ቀሪቡ ዘሎ ምሉእ ሓበሬታ፡ ብእተፈላለዩ ምኽንያታት(ናይ ፖሊቲካ እውን ዘይተሳእና) ክፍለጥ ኣይከኣለን ዝነበረ።

ትልንቲ ኣዛሊና ኡቸሊ ብጅግንነት ኣብ ዓድዋ እዩ ሞይቱ።

ኣሲታት ሰለስተ-ዓመት ዝኸውን ኣብ መስርዐይ ተሰሊፉ ብምንባሩ፡ ሞቱ ከመይ ዝበለ ክሳራ ምኻኑ ብልክዑ ክርዳኣኒ ይኽእል። ንትስፍው-መጸኢ መንእሰይ ወታሃደር ዘጽና ከም -ፍጥንት- ሓይሊ- ጠባይ- ፍልጠት- ልቦና- ዝኣመሰሉ ጠባያት ብምሉኣቶም እተዓደለ እዩ ነይሩ። ምእንት'ዚ'ውን ኣኽቢረዮን-ኣፍቂረዮን። ዕውት ድኣ ይኹን-'ምበር፡ ኣብ ሰዊት-ዕድመኡ ብሞት ምፍላዩ፡ ዓቢ-ሓዘን ይስመዓኒ። ዕዮኡ ምስቲ ናተይ ተወሃሂዱ ክቐርብ እዩ ነይሩ ትምኒተይ። ብዛዕባ መግዛእታዊ-ዋንነትና ተመሳሳሊ ርእይቶ ስለ ዝነበረና፡ ኣብ ጽሑፋተይ ዓቢ ተገዳስነት ዝነበሮ እዩ። በዚ ተዋጢረ እየ እውን፡ ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ (ስእሊ ንዝምልከት) ብዙሕ ሲጋእ ዝበልኩ። ብዝኾነ ግና ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ንሱ'ውን በዚ ባዕሉ ብሰራሑ ኣቢሉ ዘቀዳጠፈን-ዘመሓየሽን(ምኽንያቱ፡ናይ ጆግራፍ-ኢስቲቱቶ በዚ ንሕና ዘዋህለልናዮ ሓበሬታ ተጠ-ቒሙ፡ ቀጸሊ ሕታማት እውን ሓቲሙ እዩ) ሓድሽ-ካርታ ምተጠቕመ ካብ ዝብል እምነትን- ብዝኾነ ድማ ከምቲ ኣቐዲመ እተጠቕስ፡ እቲ ብኣና ተሰናዲዩ ዝጸንሐ ናይ ቅድም ጆግራፍያዊ-ስእሊ'ውን ምሕታሙ ስለ ዝጸገመ- እየ ነዚ ምስ እዚ ጽሑፍ ተተሓሒዙ ዝቐርብ ዘሎ ካርታ፡ ብ ስካላ (ስከይል) 1/500.000 ተሳኢሉ ብቲ ስነ-ፍልጠት ስእለ-መሬት ዝመለኽ ኣቶ ኣልፍረዶ-ፊሽተር ተደጊፈ ክስእሎ ዝወሰንኩ።

ኣብ ምስኣሉ፡ ንቶም ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት እተረኽቡ ሓበሬታ ንምኽሳብ፡ እቲ ካቬልየረ-ምዖና (ዓርከይን/ ግብጣን ጠቕላሊ-እዚ) ዝስኣሎ ብሉጽ ኮሮግራፍያዊ-ስእሊ ኤርትራ ኢና ተጠቒምና። ንጽቡቕ ፍቓዱ'ውን ሎሚ የመስግኖ።

ጽሑፈ-ቃላት/ ኣስማትን ደቀ'ባት።

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ስፊሮም ዝርከቡ እተፈላለዩ ቦታ ዝሕብሩ ኣስማት ንምጽሓፍ፣ ብዝተኻእለ መጠን፣ ንቕድም ትርጉሞም እናተረዳእኩ ስዒበ ድማ ከም ናይ ጽሕፈት ኣገባብ፣ በቲ ብኣይ እተዳለወ «ክልስ-ሓሳባውን/ ግብራውን ሓባሪ መጽሓፍ ቋንቋ ትግረ» ዝብል ጽሑፈይ እየ ተጠቒመ። ስለዚ ድማ፣ እቲ ኣብዚ'ውን ካብ ኣውራጃ ናብ ኣውራጃ -ወረ'ውን ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ- ዝልውጥ ኣገባብ ኣደማምጻ ዘኽትሎ ምጥርጣራት ብቐሊሉ ክስገር ክኢለ።

እቶም ትርጉሞም ክርዳእ ዘይከኣልኩ ብዙሓት ኣስማት፣ ምናልባት ካብ ናይ ትግርኛ-ኣምሓርኛ-ወይ ናይ ግእዝ ቃላት ርሒቖ ኣመዝጊበዮም ይኾውን፣ እዚ ግን፣ ንኣደማምጻ ህዝቢ ናይቲ ወረዳ፣ ብፍደላትና ከም እተረዳእክዎ ገይረ እየ ጽሒፈዮ።

እተጸሕፉ ኣስማትን- ደቀ'ባት ዝጥቀምሉ ኣገባብ ኣደማምጻ'ውን ሓድ-ሓደ ጊዜ ፍልልይ ዘለዎም መሲሎም ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ካብቲ ኣባና'ውን (ኢጣልያ) ዝዘውተር ኣገባብ ኣሕጺርካን- ብተዛዋዋሪ ናይ ምዝራብ ልምድን- ዝመጸ እዩ። ኣብነታት ንምጥቃስ፣ ኣብ ክንዲ «እንዳ ኣቡና ዮናስ» ዝበሃል፣ ኣሕጺርካ እንዳ-እኒናስ ይበሃል። ከምኡ'ውን ኣብ ክንዲ «ደባርዋ»፣ ደዋርባ...ወ.ዘ.ተ.።

ኣብ መብዛሕትኡ ወገናት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ክልቲኡ ኣስማት ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብ ጌጋ ክመርሕ ካብ ዝኽእል ኣገባብ ኣደማምጻ ንምግልጋል ድማ፣ ትርጉሙ ብምስትውዓል እዩ እቲ ስም ተመዝጊቡ ዘሎ።

ናይ ሓባር ፊደል ብዘይምህላውና፣ ኣደማምጻ ደቀ'ባት ብልክዑ ምስትውዓል ዘይከኣል እዩ። ምስ ደቀ'ባት ኣብ 'ትዛረበሉ ግና፣ ኣስማት ናይቶም ንስም ዘመልክትዎ ቦታ ምፍላጥ፣ ግዴታ እዩ።

****


Scala - 1: 500.000 = Scale

መቕድም።

ዓድ ሓበሻ/ ኤርትራን።

§. 1- መሰረታዊ ኣምር ብሄራውነት።

ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ'ዚ ብግቡእ ንምርዳእን፡ ኑቲ ኣብ ሞንጎ ዓድ-ሓበሻን/ ኤርትራን ዝጸንሐ ጥንታዊ ዝምድና ምንጻር ኰነ፡ ብዛዕባ'ዞም ክልተ-ሃገራት ዘሎ ሓፈሻዊ ሓበረታ፡ ከም መቕድም ምቕራብ፡ ዘይስገር ቅድመ-ኩነት እዩ።

ዝስዕቡ ሓፈሻውያን መግለጽታት ናብ ሓደ ፖሊቲካዊ-ምውህሃድ ዘምርሑ፡ ንኤርትራ እውን ኣብ ትሕቲ ዓድ-ሓበሻ ዝብል ጆግራፍያዊ ኣጸዋውዓ ዘጠቓልሉ'ኳ እንተመሰሉ፡ ንዓድ-ሓበሻ ከም ሓደን/እተወሃሃደ-ሃገርን፡ንዝቕመጥዎ ህዝብታት ድማ ከም ጥርኑፋት ኣባላት ናይዚ ሃገር'ዚ ምውሳዶም፡ ብመሰረቱ ናብ ጌጋ ዘምርሕ ኣምር እዩ።

እቲ ንሃገርና(ኢጣልያ)ብብሄራውነት ኣቢሉ ናብ ሃገር ክሰጋገረና ዝኸኣለ መድረኻት፡ ኣብዚ ከም ዓድ-ሓበሻ ዝፍለጥ ከባቢ ክማላእ ስለ ዘይተኻእለ፡ ዝፍተን ዓይነት ምንጽ-ጻር፡ ዘይመማዝንቲ እዩ።

ሃገር ተባሂሉ ዝስመ፡ብዘይካ'ቶም ናይ ግዝእ-ርእሱ ተምሳልን-መላልዮን ኣልቢሶም ካብ ናይ ከባቢኡ ሃገራት ዝፈልይዎ ባህርያውያን ናይ ጆግራፍ-ዶባት(ባሕርታት- ሰንሰለት ኣኽራናት- ዓበይቲ ኣፍላጋት- ምድረ በዳታት) ንዝቕመጥዎ ህዝቢ ዝጥርንፍ፡ ናይ ሓባር መበቆል(ነገድ)/ናይ ሓባር ቋንቋ- ሃይማኖትን/ ታሪኻዊ ባህልታት/ ዝሓለፉ ዓወታት/ መጻኢ ተስፋታት/ ፖሊቲካዊ ምውህሃድ/ ኣብ ናይ ሓባር ቁጠባዊ-ጥቕሚ እተነድቀ ሓድነት/፡ ዝኣመስሉ ረቋሒታት እውን ክማልእ ይግባእ።

እዚ መስርሓት'ዚ ምስ ዝማላእ እዩ'ውን እቲ ሃገር ተወሃሂዱ ልኡላውነቱ ዘመስክር።

ብውሽጣዊ-ግርጭት ዘይኩነ፡ ብግዳማዊ-ረጽምታት ተገዲዱ፡ ሓደ ካብ'ዞም እተጠቕሱ ረቛሒታት ምስ ዘይማላእ፡ ልክዕ ከምቲ ብባህሪ ወይ ተፈጥሮ ንውልቀ-ሰብ ተባሂሉም ዝውሰኑ ናይ ሓርነት መሰላት(ናይ ኣካል/ ስነ-እእምሮ/ ሞራል....)ሃገር'ውን እተ-ሓለወ መሰሉ ክጠልብ ግድን እዩ።

ብስም'ዚ መሰላት'ዚ እዩ'ውን ኢጣልያ ኣብ ሓድነት ሰሚራ፡ ካብ ባዕዳዊ-መግዛእቲ ሓራ ክትከውን ክኢላ።

ሓድ-ሓደ እዋናት፡ ኣብቲ ንዓበይቲ ብሄራት ዝውስኑ ዶባት፡ እዞም እተጠቕሱ ኩነታት ዘይተማልኡ ክነሶም፡ ምትሕብባር ደቅ-ሰብ ማዕቢሉም፡ ሰላማውያን-ሕጋውያን መንግ-ስታት ክቖሙ ይኽእሉ እዮም። እዞም ብናይ ሓባር ፖሊቲካውን-ቁጠባውን ኣምራት/ ናይ ሓባር ባህሊ/ ንጹር ጆግራፍያዊ-ዶባት ዝሕብሩ ኢትኖግራፍያዊ ምውህሃዳት/፡ ንሃገር ከም ባህርያዊ ትርጉመ ኣነጺሮምን ኣማዕቢሎምን ምስ ዝርከቡ፡ እቲ ተደላዪ (ideale: ideal) ተባሂሉ ዝስመ ብሄራውነት ናይዞም ሃገራት፡ ቅቡልን-ቅዱስን ይኸውን። ምኽንያቱ፡ እቲ ንብልጽግናን-ምዕባለን ዘረጋግጽ ኣብ ነጻ ምርጫ ዜጋታት እተመርኰሰ ስርዓት፡ መባእታውን እኹልን ዕላማ ናይ ዝኾነ ይኹን ሕብረተ-ሰብ ብምዃኑ እዩ።

ኣብ ዓድ-ሓበሻ እዞም እተጠቕሱ ረቛሒታት ስለ ዘይተማልኡ፡ ነዚ ቦታ'ዚ ብባህሪ ይኹን ወይ ብተደላዪ መልክዑ፡ ሃገር ኢልካ ምስማዩ ኣይከኣልን።

ኣብ ልዕል'ቶም ዓድ-ሓበሻ ተባሂሎም ዝስመዩ ጆግራፍያዊ-ቦታታት እተኻየዱ ዘይብ-ቑዓት መጽናዕቲ/ዘይእኹል ኣፍልጦ ብዛዕባ ኢትኖግራፍን-ታሪኽን ናይ ዝቕመጥዎ ህዝብታት እዮም ናብ ጉጉይ ኣተሓሳስባን መደምደምታን ከመርሑ ክኢሎም።

እቲ ንኸጥዕም ተባሂሉ«ዓድ-ሓበሻ»ወይ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ቡቲ ዓቃባዊ ኣጸዋውዓኡ «ኢትዮጵያ» ተባሂሉ ዝስመ ናይ ምብራቕ-ኣፍሪቃ ክፍለ ወገን፣ ብጆግራፍያዊ ኣቀዋውማ ዝሓለ ኣብ ፍሉያትን-ንጹራትን ኣውራጃታት ይኸፈል። ብመንጸሩ ድማ፣ ዝቕመጥዎ ህዝብታት እውን ብዓሌት/ቋንቋ/ሃይማኖት/ቁጠባዊ ረብሓታት/ ይፈላለዩ እዮም።

ብርግጽ ሓድ-ሓደ እዋናት ከምዝ'ሕጂ (ኢጣልያ ንወራር ይዳለወሉ ዝነበረ እዋናት)፣ *ብሃጸያት ዮሃንስ ወይ ተድሮስ* ገለ ክፍሊ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ወታሃደራዊ ስልጣን ተመሊኹም ጸኒሑም እዮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ደቀ'ባት ስልጣን ግን፣ ዋላ'ውን ንርሑቕ ክትምነዮ ዘይከኣል፣ ብምውህሃድ-ደም ይኹን ብስልጣኑ ኣቢሉ ዝሓለፈ ምምዕባል ሓደ ናይ ሓበሻ ብሄርሲ ይትረፍ፣ መባእታዊ ናይቶም ህዝብታት ተቐባልነት ስለ ዘይህሉ፣ ከምቲ ኣብ ኤውሮጳዊ እምባታት(Alpi: Alpes) ብክፍለ-ዘመናት ኣቢሉ እቲ ተደላይ (Ideale: Ideal) ተባሂሉ ዝስመ ብሄራውነት ክምዕብል ዝኸኣለ፣ ኣብ እምባታት ኢትዮጵያስ እዚ ኣይተማልአን።

§. 2- ጆግራፍያዊ ቅርጺ ዓድ-ሓበሻ።

ክብታዊ ቅርጸ-መሬት ዓድ-ሓበሻ ምስ እንምልከት፣ ኣብ ሰለስተ ንሓድሕዶም ዝተረ-ኣኣሱ መድረኻት ከም ዝኸፈል ንግንዘብ።

እቲ ናብ ቀይሕ-ባሕሪ ገጹ ዘብል፣ ናይ ጸድፊ መልክዕ ዝሓዘ ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ብወገን ፈለግ «ኒል» ዝዝርጋሕ እምባታት፣ ልምሉም ኣዋድቓ ዘለዎ እዩ። ናብዚ ገጾም እዮም'ውን መብዛሕትእም ወሓይዛት ዓድ-ሓበሻ ዝውሕዙ።

ከምዚ'ሉ እውን እቲ ዞባ፣ ካብ ጽፍሒ-ባሕሪ ክሳብ 4.600 ሜትሮ ንላዕሊ (ክሳብ በረኸቲ ሰሜን)፣ ኣብ ሰለስተ መድረኻት ይኸፈል፥

> -ኣብ ታሕቲ፣ ካብ ጽፍሒ-ባሕሪ ክሳብ 900-ሜ. ክብ ኢሉ ዝርከብ መሬት፣ *"ቆላ"* ተባሂሉ ክስመ፣ እቲ ካብ 900 ክሳብ 2.500-ሜ. ኣብ ሞንጎ ዝርከብ ቦታ፣ ፍረ-ወይኒ ዝበቑሎ ኰይኑ *"ወይነ-ደጋ"* (ዋላ'ውን ኣብዚ እዋናት'ዚ ዘገዳማዊ መልክዑ እንተሓዘ፣ ፍረ-ወይኒ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተዘሪኡ ዝዓምበበን-ዝበርከተን ተኸሊ እዩ ነይሩ።)፣ እቲ ካብኡ ክብ ኢሉ ክሳብ «በረኸቲ ለማልሞ» ዝርከብ ሳልሳይ ተደራቢ መድረኽ ድማ፣ *"ደጋ"* ተባሂሉም ይኸፈሉ።

ንጋድም እንተተመልከትናዮ፣ እዚ ብመድረኻት ተተራኣኢሱ ዝርከብ ክፍለ-መሬት፣ ብዓበይቲ ነቓዓት ተጨንዲሑ፣ ናይ ወሓዚ-ጠባያት ዝሓዙ ኣፍላጋት፣ ጃሕ-ጃሕ ይውሕዝዎ። ስለ'ዚ'ውን ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝርከቡ ኣፍላጋት፣ ኣብ ክንዲ ኣብ ሰፋሕቲ ጐላጉል ዝስጥሑ፣ ኣብ ዝፍቲ ቋቑራታት ሰጢሞም፣ ኣውራጃታትን/ ህዝብታትን/ ዝፈልዩ ብቐሊሉ ዘይሕለፉ ዶባት ይኾኑ።

ኣብ መብዛሕትኡ ቦታ ናይ እተጠቕሱ ቋቑራታት፣ ክውሒ ዝኾነ ነጸላ-መንደቕ ሃልይዎ፣ ጥውይዋይ መንገድን- ስፍሕ ዝበለ ንእድን ዘለዎም ወሓይዛት፣ ንእተፈላለያ ባህርያውያን-ኣውራጃታት ዓድ-ሓበሻ ቀኒቶም፣ ኣብ ፍሉያት ደሴታት ይኸፋፍልወን።

ኣብዚ ሰፋሕቲ ጐዳጉዲ፣ ብእዋናት ቀውዒ ዘይምሕር ሕማም-ዓሶ ይርከቦ። እብቲ ካብ ወርሒ ግንቦት ኣትሒዙ ክሳብ መስከረም ዝናዋሕ እዋናት ክረምቲ ድማ፣ ሓያላት ወሓይዛት እና'ንክራረው፣ ሓደገኛ ዝኾነ ዘራጊቶ-ማይ ፈጢሮም ካብ ሩባ ናብ ሩባ'ኳ ምስጋር ይኽልኡ። ብተወሳኺ፣ እዚ ከምዚ'ሉ ዝፍጠር ደሴታት ወይ ናይ ተፈጥሮ-ኣውራጃታት፣ ንነፍስ-ወከፈን ዘንጽር ፍሉይ ጆግራፍያዊ-ቅርጺ ዘልብሰን ኦሮ-ኢድሮ-ግራፍያዊ ስርዓት'ውን ዘለዎ እዩ።

ሳዕቤን ናይዚ ብትኹልን- ጋድምን ዝረአናዮ ቅርጺ-መሬት እዩ 'ከስ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኣሽሓት ዓመታት ዝኣክል ጕረባብቲ ኰይኖም ንዝጸንሑ ህዝብታት፡ ኣብ ሓደ-እሃዱ ንኽይጥርነፉ ዝዓገተ ረቋሒ። ቀዳ'ውን ክርስትና ከም ዓብላሊ መንግስታዊ ሃይማኖት/ ናይ ኣስገዳድ ወግዓዊ ቋንቋ/ ናይቲ ብይሓድ-ይብዛሕ ካብ 900-ዓመት ቅ.ል.ክ. ክሳብ መፋርቕ 19 ክፍለ-ዘመን ኣብ ልዕል'ቲ ሃጸያዊ-ስርወ ዝጸንሐ ኣምልኾት ብዘየገድስ።

ታሪኽ ዓድ-ሓበሻ ከጽንዕ ንዝብገስ ተመራማሪ፡ ኣቐዲሞም ካብ እተሃንጹ ኣምራት ኵነ/ከም ቅድመ ኩነት ካብ ዝቐርቡ ክልሰ-ሓሳባት ነጻ ኰይኑ፡ ንእተኸየዱ ፍጻሜታት ብግቡእ ምስራዕ ምስ ዝደሊ፡ እቲ ታሪኽ፡ ቁጠባዊ-ረብሓ ዝዕላማኡ ታሪኽ ውሽማዊ ቃልስታትን/ ቀጻሊ ኩናት ናይ ሓደ-ጭፍራ ኣንጻር እቲ ሓደ ምዃኑን፡ እቲ ነዚ ዝወሰነ ብልጫ ድማ፡ ናይ ብረት ጸብለልትነት ጥራሕ ከም ዝነበረን ምርዳእ ኣየሸ-ግርን።

እቲ ጸብለልትነት፡ ከከም ዕድልን- ብልሕን- ቀራጽነትን- ናይ ሓድ ሓደ መራሕቲ (ውዲታት/ ስምዒታት/ ባህላዊ ዝምባለታት/ ግዳማዊ ሓገዛት.....እውን ዘይስእንዎ)፡ ካብ ሓደ-ኣውራጃ ናብ ካልእ ኣውራጃ እዩ ክሰጋገር ጸኒሑ። ብዝኾነ ግና እቲ መንቀሊ ምኽንያት፡ ህያው ትሕዝቶ ዘለዎ ወይ ናብ ብሄራውነት ዘምርሕ ዕላማ ኣይኰነን ዝነበረ። ምናልባት ካብዚ ፍልይ ኢሉ ክረአ ዝኽእል እቲ ንነዊሕ እዋን ኣንጻር ንግስነት-ኣዳል/ ኣንጻር ኣሕመድ ግራኝ እተኸየደ ኩናት ክኸውን ምኽኣለ። እዚ ግን፡ ሃይማኖታዊ ኩናት ብምንባሩ፡ ዓድ-ሓበሻ ተማባቒ ክርስትና ኰይኑ ኣንጻር ምስልምና ስለ እተላዕለ፡ ናይ ፖርቶጋሉ (Portogallo: Portugal) ሓገዝ እውን ነይርዎ እዩ።

ኣብ እተኸየዱ ቀጻሊ ቃልስታት ግና፡ ጆግራፍያዊ ቅርጺ-መሬት እዩ ወሳኒ ተራ ተጻ-ዊቱ።

ስለዚ እዩ'ውን እቲ ኣብ መላእ ገማግም-ባሕሪ ዝርከብ ቦታታት፡ ማለት እቲ «ቆላ» ተባሂሉ ንዓድ-ሓበሻ ቀኒቱ ዝሕዝ ሸንኻት ቀይሕ-ባሕሪ (ወሽመጥ ዓደን- ህንዳዊ ውቅያኖስ)፡ ካብ ከበሳታት ዓድ ሓበሻ ፈጺሙ ተነጺሉ፡ እቲ ንእርባዕተ ክፍለ-ዘመናት መመላእታ ኣብ እምባታት እተኸየደ ፍጻሜታት፡ ንገማግም ባሕሪ ጽልዋኡ ክሕድረሉ ዘይከኣለ።

እቲ ገማግም፡ መንቀሊኡ ካብ ከባቢታት ባጽዕ ኰይኑ፡ ንደቡብ ገጹ እናተጋፍሐ፡ ካብ ገማግም ወሽመጥ ዓደን ድማ- ክሳብ እምባታት ሸዋ ስለ ዝዝርጋሕ፡ ዘሎ ራሕቂ ነዊሕ ብምዃኑ፡ ሰብ ዘይነብረሉ በዱ-ኣውራጃታት (ብዘይካ ሃረር) ኣብ ሞንጎ ስለ ዝርከቡን፡ ትግራይ እዩ ኣብ ጥቓ-ባሕሪ ሰፊሩ፡ ብዝቐለለ መንገዲ፡ ብረት/ ስንቂ/ ኣማኽርቲ/ ገንዘብ/ እናሰነቐ፡ ጸብለልትነቱ ከረጋግጽ ክኢሉ።

ምናልባት'ውን ንሕና (ኢጣልያ) ንሸዋ ኣርቢሕና ንትግራይ እንተዘይንጸቕጦ፡ እቲ ጸብለል ከምኡ ኢሉ ምቐጸለ ነይሩ።

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ፍጻሜታት ንወገን ገዲፍና፡ ብድሕር ብዙሕ ፈተንታት እዩ እቲ ብወገን ደቡባዊ-ምዕራብ ዝርከብ ክፍለ ሃገራት ዓድ-ሓበሻ፡ እኹል ናይ መከላኸሊ መስመር ስለ ዝሰኣነን/ ጆግራፍያዊ ቅርጺ-መሬት እውን ስለ ዝፈቐደን፡ እቲ ካብ ሰለስተ ክፍለ-ዘመናት ንነጀው ኣትሒዙ ብ «ጋላ» እተባህሉ ሓድሽ ኢትኖግራፍያዊ-ባእታ ዝመጸ ድፍኢት፡ ንቕርጽን-ኣቃውማን ናይቶም ኣብ ምዕራብ ናይቲ ሃገር ዝርከቡ ኣውራጃን-ህዝብታትን ክልውጦ ክኢሉ።

§. 3 - ኢትኖግራፍያዊ ባእታታት ዓድ-ሓበሻ።

ኣብ ልዕል'ቲ ጸሊም ዝዓሌቱ ጥንታዊ ህዝቢ (ጽሩይ ኣሰሩ፡ ኣብ ባርያን-ባዛን፡ ብሓፈሻኡ ድማ ኣብቶም ሓበሻ "ሻንቅላ" ኢሎም ዝሰምይዎም ኣብ ምዕራባዊ ወገናት ዝነብሩ ቀቢላታት)፡ ሰለስተ ወረርቲ ህዝብታት እዮም ተመሳቒሎምን ምሳኡ ተሓና-ፊጾምን። እዚኦም ድማ፥

1)-ሓማውያን ኣገው፥ ኣብ ምዕራብ ንግስነት-ጎጃም ዝርከቡ መሬት ላስታ- ኣገው ምድር ጥራሕ እዮም ክይተዳቐሉ ጸርዮም ዝተረፉ።

2)-ሰማውያን ግእዝ፥ ኣብ ንግስነት ትግራይ፡ ብቀንዱ ድማ ኣብ ምድረ-ባሕሪ ማለት ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ።

3)-ጋላ፥ መበቆሎም ኣጸቢቑ ዘይተነጸረ እዩ። ምናልባት፡ ኣብ "እኳቶር" (ቅናት-መሬት) ካብ ዝርከቡ ቀላያት መጺኦም እዩ ዝበሃል። ቋንቋኦም እውን እተመሓሳለኸ እዩ። ንኢትዮጵያ ካብ ዝወረርሉ እዋናት ኣትሒዞም፡ ዛጊት ርእሱ ዝኽእለ መንግስቲ ክቘመ ኣይክኣሉን። ሓይሊ ደሊቦም ብብዝሒ'ውን ምስ ተኣኻኸቡ፡ ንውሱን ጊዜ ርእሶም ኣመሓዲሮም፡ ኣብ ወሎ-ጋላ ሰፊሮም፡ ኣካል ንግስነት-ኢትዮጵያ ኰይኖም ነይሮም እዮም። እቲ ሰዓቡ ዝመጸ ዘርኦም ግና፡ ከም ታሕተዋይ-ደርቢ ተቖጺሩ፡ ግብረ እናግበረ እዩ ዝናበር ነይሩ።

እዞም ሰለስተ ህዝብታት፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣብ ዶብባዊ-ወገናት ፈለግ-ተከዘ፡ ተሓዋዊሶምን-ተሓናፊጾምን፡ ርእሶም-ዝኸእሉ ክልተ-ንግስነት ኣቚሙ፥

እቲ ቀዳማይ፥ናይ ኣገው-ዘርኢ ዝዓብለለ"ንግስነት-ጎጃም" ክኸውን እንከሎ

እቲ ካልኣይ፥ናይ ኣምሓራ-ስልጣን ዝመሰረቱ ናይ "ሸዋ-ንግስነት" ድኣ ይኹን'ምበር፡ መትንታቱስ ብደም-ጋላ እተዓብለለ እዩ።

እቲ ኣብ ከባቢ ቀላይ-ጻና፡ ማለት እቲ ኣብ ሞንጎ ኣፍላጋት ተከዘ ብሰሜን/ ኣባይ ብምዕራብ/ ብሸሎ ብደቡብ/ ምብራቓዊ ደንደስ ክበሳ ጽሓጽሮ ወገን ብምብራቕ/ ዝርከብ ማእከላይ-ኣውራጃ፡ ብእተደባለቑ ህዝብን-ነገድን ዝተዓብለለ ብምዃኑ፡ ኣብዚ እዩ እቲ ዓረብ ንምድብላቕን-ምትሕንፋጽን ህዝብታት ዝሕብር " ሓበሻ " ኢሎም ንኢትዮጵያ ዝወሰንዎ ስም፡ መረዳእታ ዝርከቦ።

ኣብዚ ቦታ'ዚ፡ ብዘይካ'ቶም ጥንታውያን ባእታን/ እተጠቕሱ ሰለስተ ወረርቲ ህዝብ-ታትን/፡ ኣመጻጽኣኦም ዘይንጹር " ፋላሻ " እተባህሉ እብራይስጥን፡ ወነንቲ እንዳታት ክበሳ ካብ ዓድታቶም ርሒቖም ብዘካየድዎም ወራራት ተማሪኾም ዝመጹ ጊላታት'ውን ከም ተወሳኺ ህዝቢ ይድረብዎም እዮም።

እዚ ማእከላይ-ኣውራጃ እዩ ድማ ግዝኣት ወይ ንግስነት-ኣምሓራ ተባሂሉ ጐንደር ርእሰ ከተማኡ ዝነበረ። ኣብዚ እዩ'ውን ንክፍለ-ዘመናት ዝኣክል፡ ሕጋዊ-መንበረ ንጉሰ-ነገስት ቀይሙ ነይሩ ዝበሃል። ክሳብ'ቲ ካብ ዘመነ ወራር-ጋላ ኣትሒዙ ዝኣተወ ፋሉላዊ ስርዓት እውን(ማለት ክሳብ መፋርቕ 18° ክ. ዘመን):ከምኡይሉ እዩ ጸኒሑ።

ካብዚ ክንግንዘቦ ዝጸናሕና ታሪኽ እምበኣርከስ፡ ንግስነት-ኢትዮጵያ ዘገርም ምትሕውዋስ ናይ እተፈላለዩ ባእታታት ምዃኑ፡ ብቐሊሉ ክርዳእ ይከኣል።

እቶም ምስ ንግስነት-ኢትዮጵያ ፖሊቲካዊ ምትእስሳር ዘይነበሮም ግን ከ ግብረ ዝኸፍ-ሉን-ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ዝሰርዑ መንግስትታትን እንተድኣ ተደሚሮም ድማ፡ እቲ ሕንፍሽፍሽ ዝያዳ እተመሓሳለኸ ይኸውን። ከም ኣብነት፥

ኣብ ደንከል ዝነብሩ ዓፋር፡ ናይ ገዛእ-ርእሶም ቋንቋን ኣብ ምስልምና ዝኣመኑን፡ ኣብ ንግስነት-ኣውሳ ዝጽምበር ናይ ባዕሎም "ፈደራላዊ" ፖሊ-ቲካዊ-ስርዓት ዘለዎም እዮም።

ኣብ ሃረር፡ ኣብ ደቡብን/ምዕራባዊ ደቡብን ዝርከቡ ንኡሳን-ንግስነታት ጋላ፡ ገሊኦም ን"ንግስነት-ሸዋ"፡ ገሊኦም ድማ ን"ንግስነት-ጎጃም" እዮም ግብረ ዝግብሩ። ኣብ ምዕራባዊ ወገናት ክበሳ-ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ሃገራት ጋላ'ባት/ ሻንቅላ/ ብሓፈሻኡ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

ዘይስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ/ ዘይውድዓዊ መጽናዕቲ/ እተፈላለዩ ረብሓ/ ቅድመ-ኩነት....ንወገን ገዲፍካ፡ ነቶም ብጥምዓዊ ኣገባብ ላዕሊ-ላዕሊ ጥራሕ ብዛዕባ'ዚ ኣገዳሲ ሃገር'ዚ እተመራመሩ ሰባት፡ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ረቛሒታት እዮም ንሓድነታዊ ተምሳል ኢትዮጵያ፡ ከም ጭቡጥ ፍጻሜ ኣምሲሎም ዘቕረቡ። እዚኦም ድማ፥

ሀ) -ፖሊቲካዊ ስርዓት-

ለ) -ሀሳዊ ወግዓዊ ቋንቋ-

ሐ) -እብተ ግዝኣት ዝቅመጡ ህዝቢ፣ ብብዝሒ ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ስለ ዝኾኑን እዩ።

እተጠቕሱ ሰለስተ ረቛሒታት እምበኣር፣ ኣሕጺርናን-ፈላሊናን ንመልከት።

§. 4 - ፖሊቲካዊ ስርዓት።

ዝእመን መልክዓት'ውን ክህልዎ ዝኽእል ናይ ኢትዮጵያ ጥንታዊ ባህሊ ክም ዝሕብሮ፣ ኣስታት ሓደ-ሽሕ ዓመት ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ይኸውን፣ ግእዝ እተባህሉ ሰማውያን ህዝ-ብታት፣ ቀይሕ-ባሕሪ ሰጊሮም ንሰሜናዊ ወገናት ክበሳ ክሳብ ፈለግ-ተከዘ ኸኢኦም፣ ሳባዊ-ሃይማኖቶም ብሃይማኖተ-ሙሴ ተክኡ።

ንግስቲ ናይዚ ሃገር፣ ምስ ናይ እስራኤል ንጉስ-ሰሎሞን ብዝዝበረቶ ስጋዊ ምርኻብ፣ ቁልዓ ተወሊዱ/ስርወኡ ተኺሉ/ ንናይ ህዝቢ እስራኤል ዝመስል ሕግታት ምስ ስርዐ፣ ካብ እስራኤል'ውን ሓገዝን-ምትብባዕን ረኺቡ ንደቡብ ገጹ ደፊኡ ኣብቲ ቦታ ንዝነ-በሩ ህዝብታት ወረረ።

ዝሰዓበ ዘርኡ፣ ኑቲ ወራሪት ቀጺሉ'ሞ፣ ደፋእ እናበለ ሓያል ወታሃደራዊ-ግዝኣት መስረተ።

ቅዱስ-መበቆሉ ቅቡል ኮይኑ፣እቲ ስርወ ከቢሩ፣ ዝበርትዐ ሓይልን-ዝለዓለ ጫፍ ስልጣን ግዝኣቱን ዝደለበ፣ ኣብ ሞንጎ ቀዳማይ ክፍለ-ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስን/ ሻውዓይ ክ. ዘመን ድ.ል.ክ. ኣብቲ ብስም "ንግስነት-ኣኽሱም" ዝፍለጥ መዋእል እዩ።

እቲ ግዝኣት፣ ካብ «ወሽመጥ በረኒቸ» ክሳብ «ሶፋላ»/ ካብ «ኒል» ክሳብ «ፋርሳዊ ወሽመጥ» ዝርጋሐ ሃልዩዎ፣ ምስ ቶለመይ እተባህሉ ስርወ-ግሪክ ኣብ ግብጽን፣ ምስ ሮማውያን እውን ዝምድና ዝነበሮ እዩ። ቀጺሉ'ውን ኣብ ንግስነት-ቢዛንጽዮ ብዘመነ-«ጁስቲኖ» ፡ኣንጻር ፋርሳውያን ንምኽታት፣ «ንግስነት-ኣኽሱም» ኣድላዪ ተሓባባሪ «ንግስነት-ቢዛንጽዮ» ኮይኑ ተረኽበ።

ኣብ ራብዓይ ክፍለ-ዘመን፣ ንግስነት-ኣኽሱም ኣብ ክርስትና ኣመነ። ውድቀት ናይዚ ንግስነት ክቀላቐል ዝጀመረ፣ ኣብ ሃገር-ዓረብ ዝነበረ ግዝኣቱ ብዘጥፈአ፣ ኣብ ሻውዓይ ክፍለ-ዘመን እዩ። ነዚ ዘቀላጠፈ ድማ፣ ናይቶም ኣብ ኣውራጃታት ቆላ ንክበሳ ክቢቦም ዝነብሩ ህዝብታት ንሃይማኖት ምስልምና ዝሃብዎ ሰፊሕ ደገፍ እዩ። ብሓጺሩ፣ እቲ ክበሳታት እዩ ምድያቡ ጸንኪሩ፣ ኣብ ትሕቲ ንግስነት-ኢትዮጵያ ጸኒሑ።

መንቀሊኡ ዘይፍለጥ ካብ ውሽጢ ብእተላዕለ ናዕቢ መሰረት፣ ኣብ ታሽዓይ ክፍለ-ዘመን ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ናብ እምነት ሕገ-ሙሴ ተመልሰ። «ሰሎሞናዊ-ስርወ» ዓንዩ፣ ብሓድሽ ስርወ ተተክአ። ሓደ ክፋሉ ግን፣ ኣብ ሽዋ ተዓቝቡ ጸኒሑ ይብሃል።

ብንጹር ድእ ኣይፍለጥን እምበር፣ ኣብ መሪሕነት እዚ ሓድሽ ስርወ እውን፣ «ዮዲት» ወይ «ኣስቴር» እተባህለት ጓል-ኣንስተይቲ እያ ዝነበረት። ሓይልን-ብርታዐ ስምዒታን ንምሕባር፣ «እሳት» ዝብል ሳን እተዋህበ፣ ነዛ ንግስቲ እዚኣ እዩ።

ናብ ሕግታት ሙሴ ምምላስ ግን ዕድመኡ ሓጺር ኮይኑ፣ እዚ ሓድሽ-ስርወ እውን ኣማኒ ሃይማኖት ክርስትና ድአ ኮነ። ልክዕ ከምቲ ኣብ እተወልደሉ ከባቢታት" ሰሜን" ኣብ " ላስታ " እውን ሰፊሕ ደገፍን እሙናት ሰዓብትን ስለ ዝረኸበ፣ እዚ ቦታ'ዚ ከም «ማእከል» ናይቲ ንግስነት ክኸውን ተመርጸ።

መበቆሎም ዘይተነጸረ ፋላሻን- ሓማውያን ኣገውን፣ ምናልባት ካብ ኣርዑት ናይቶም ኣብ ትግራይን/ምድረ-ባሕርን ዝነበሩ ኣግኣዝያን ሓራ ንምውጻእ ኮነ ሕሉፍ ታሪኽ ንምድምሳስ ዝነበሮም ሃንቀውታ ንምትግባር፣ ሓቢሮም፣ ንዝነበረ ጥንታዊ ሃይማኖት

ክመልሱ እውን ፈቲኖም እዮም። እቲ ነገር ግን ብዙሕ ኣይጸንሐን። ድሮ ከም እተጠቕሰ፡ እቶም ብስም «ስርወ-ዛጔ» ዝፍለጡ ናይ እሳት ዘርኢ፡ ኣብቲ ህዝብታት ኢትዮጵያ (ምናልባት ብተፈጥሮ) ምስፍሕፋሕ ምስልምና ንምቅዋም ከም መከላኸሊ ዕርዲ ዝኣምንዎ ሃይማኖት ክርስትና ድአ ጸንዑ።

ስርወ-ዛጔ፡ ሰለስተ ክፍለ-ዘመናት ዝኣክል ኣብ ስልጣን ምስ ጸንሑ፡ ተሰሚዑ ብዘይ-ፍለጥ ኣገባብ እዩ ህላዌኡ ኣብቂዑ።

ከምቲ ኣቐዲሙ እተባህለ ሓደ ክፋል ናይቲ ሰሎሞናዊ-ስርወ ኣብ ሸዋ መዕቆቢ ረኺቡ ድሕር ምጽናሕ፡ ፈርዩ ምስ ሰሰነ፡ ስርወ-ዛጔ ብፍታው እዩ ያኢ፡ ንቲ ሕጋዊ ዝበሃል ናይ ሰሎሞን-ዘርኢ ንግስነት ኣረኪቡ።

ካብ 13° ክሳብ 15° ክፍለ-ዘመን ኣብ ዘሎ እዋን፡ ታሪኽ ኢትዮጵያ ኣብ ዓሚቝ ጸላም ተዋሒጡ ናይ ዓረብ-ቱርክን ወራራት እውን ምስ ተወሰኸ፡ እቲ ሃገር፡ ምዕቡል ካብ ዝበሃል ክፍለ-ዓለም ተነጺሉ ተረፈ። እቲ ብ «ፖርቶጊዛውያን» ኣብዚ ቦታ'ዚ እተገብረ ድህሰሳ ብርሃን ምስ መለሰ እዩ ኢትዮጵያ፡ ልክዕ ከም ኢውሮጳ ኣብ ዘመነ ማእከላይ-መዋእል (Medio Evo : Middle Age) ኣብ ብዙሓት እተፈላለያ ወረዳን-ርእሶም ዘመሓድሩ ኣውራጃታትን ተኸፊላ ትርከብ።

ኣብ ሓድሕዶም ዝነበረ ዝምድናን-ምትእስሳርን፡ ሓሳባዊ (Ideologico : Ideological) / ሃይማኖታዊ ወይ ንዝኸረ ናይቲ ሕሉፍ(ነበር)ስርወ ኰይኑ፡ ልሕሉሕ እዩ ዝነበረ።

ነዚ ብዝያዳ ዘነጽሮ፡ ኣብ ልዕል'ቲ ሃሚናዊ-ፍልስፍናታት ዝነበረ እምነት እናተዳኸመ ክይዱ ምጥርማራት ሰፊኑ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እቲ ውርሻ ስልጣን እውን ንባዕሉ፡ ስሩዕ-ኣገባብ ኣይኸተልን ዝነበረ።

ውርሻ፡ ብቀጥታዊ ሓድጊ መስመር ቦኽር-ውላድ ምኻኑ ተረፉ፡ መስፍናዊ-ደም ዝነበሮም ኩሎም (ኣባላት ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ) ኣብ ሓደ እምባ ተጨውዮም ብሓለዋ እናተናበሩ፡ እቲ ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ንጉስ ኣብ ዝሞተሉ፡ እቶም ዓበይቲ ናይ ቤተ-መንግስቲ ሹማምንትን/ ዓበይቲ ናይ ወረዳ ሓለፍትን/ ኣብ ጉባኤ ተኣኪቦም፡ ንሓደ ካብቶም " እሱራት " መሳፍንቲ ንስልጣን ይበቅዕ (ወይ ንዓኦም ዝጥዕም) ዝበልዎ፡ ባዕሎም ይመርጹ ነበሩ።

እዚ ኣገባብ'ዚ ዘኸተሎ ሳዕቤናት ውሽጣዊ ኩናትን- ቀጻሊ ናዕብን- ካብ ማእከላይ ስልጣን ምንጻል-ዘይዓርፍ ናይ ሓርነት ዝምባለ ናይቶም መራሕትን-ሰራውር እናተኸለ፡ እቲ ዝለዓለ መዝነት ሹማምንቲ፡ ብውርሻ ዝመሓላለፍ ስልጣን ኰይኑ፡ መስፍናዊ ዝመስል ስርዓት ተተኸለ።

ኣብቲ እዋን'ቲ እዩ ኣብዚ ሎሚ /ታጅራ/ ዘይላ/ ሃረር-ከባቢ ዓድታት/ ተባሂሉ ዝስመ ቦታታት ወሽመጥ-ዓደን፡ ንግስነት-ኣዳል እተባህለ ሓያል እስላማዊ-ግዝኣት ቆይሙ ዝነበረ። ሓይሊ ንግስነት-ኣዳል፡ ብሓገዝ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ሃገራት-ዓረብን/ ብናይቲ ኣብ ዝለዓለ መድረኹ ዝነበረ ንግስነት-ቱርክን እዩ ጸብለልትነቱ ከረጋግጽ ክኢሉ።

ንቲ ብቱርኪ ዝለኣኸ ዝነበረ ሽዑ እተማህዘ ናይ ሓዊ-ብረት፡ ትብዓት ኢትዮጵያውያን ክምክቶ ኣይከኣለን።

ፖርቶጋሎ(Portogallo : Portugal) ብኢትዮጵያ ሓገዝ ተሓቲቱ፡ ንረዳት 500 ወታሃ-ደራትን/ናይ ሓዊ-ብረትን/ ምስ ለኣኸ እዩ፡ ብድሕር ነዊሕ-መሪርን ኩናት ንግስነት-ኣዳል ፈጺሙ ተዳኺሙ ንውድቀቱ ዘንቈልቍለ።

ምስ'ዚ ናይ " ፖርቶጋሎ " ሰራዊት ሓቢሮም ንዓድ-ሓበሻ ዝመጹ «ጀዙዊቲ» እተባህሉ ሃይማኖታውያን ድኣ፡ ኣኽብሮት ብዘዞኮደሎ ኣገባብ-ውዲታትን- ንኢትዮጵያ ኣብ እምነት ሃይማኖት-ካቶሊክ ክእትውን ንባዕሎም ድማ ግዝኣቲ ኰይኖም ክነብሩን፡ ላዕልን-ታሕትን በሉ። ንሓጺር እዋን ኣብ መደቦም ድሕር ምዕዋት፡ በቲ ኣብ ውሽጢ ዝፈጠርዎ ዘይምቅድዳውን/ ዝፈጸምዎ ዘሰክሕ ገበናት/ ኣብ ልዕሊ መንፈስን-ባህልን ደቂ-ሃገር ብዘርኣይዎ ንዕቀትን/ ብዘሕንኽ ኣገባብ ተሰጕጒም፡ ኣብ ልዕሊ ኢውሮጳውያን ኲነ-ሃይማኖት ካቶሊክ፡ ሕማቕ ዝኸረ ኣትሪፎም ብምኻዶም፡ ኢትዮጵያ ከም እንደገና ካብ ስልጣኔ (ምዕቡል ካብ ዝበሃል ዓለም) ተነጺሉ፡ ዘይእቶ ሃገር ኰነ።

ካብቶም ኣብ መበል 18 ክፍለ-ዘመን ንኢትዮጵያ ክኣትው ዝኸኣሉ ዳህሰስቲ-ገያሾ፡ *ጀይምስ ብሩስ* እተባህለ ተወላድ "ስኮትላንድ" እዩ ኣገዳሲቲ መዘከራት ክጽሕፍ ክኢሉ። እዚ ኣብ መግዛእታዊ ወራር ኢጣልያ ብዙሕ ክሕግዝ ዝኸኣል ዝነበረ ጽሑፋት ግና፡ ዋላ'ውን ንቶም መንቀልትን-ደገፍትን ናይቲ ፍጻሜ'ቲ ዝነበሩ ዜጋታት ኢጣ-ልያ፡ ተሰዊርዎም ድኣ ሓለፈ።

ብሩስ ከም ዝገልጾ፡ ኣብ መፋርቕ 18 ክፍለ-ዘመን፡ ጐንደር ኣብ ዓድ-ኣምሓራ እዩ ርእሰ-ከተማ ናይቲ ንግስነት ዝነበረ።

እቶም ነጋውስ፡ በቶም ካብ ደቡባዊ-ምዕራብ ደፊኦም ንደቡባዊ ወገናት ናይቲ ንግስ-ነትን/ንቲ ከም «ኣምሓራ» ዝፍለጥ ማእከል-ሃገርን/ ዝወረሩ መራሕቲ ህዝብታት-ጋላ ተመሊኾም፡ ንጉሳዊ ክበሃል ዝኸኣል ህይወት ኣይነብሮምን። እዞም "ሹማምንቲ ህዝብ-ታት ጋላ"፡ ንቶም ኣብ ፈረንሳ(France)ብ "ዘመነ-መሮቪንጂ" ዝነበሩ ሓለፍቲ ቤተ-መንግስቲ እዮም ዝመስሉ ነይሮም። ከመይሲ፡ ሽመት/ ክብረ/ መልክዓዊ ንግስነት/፡ ንቶም ነጋውስ ገዲፎም፡ ብግብሪ ባዕሎም ኣመሓደርቲ ኰይኖም ጥቕሞምን- ጥቕሚ ህዝቢ-ጋላን እናማልኡ፡ ንተን ኣብ ቀረባ ከባቢ ዝነበራ ወረዳ፡ ብዘይንሕስያ ይራስዩ ነበሩ።

እዚ ነገራት'ዚ እዩ ድማ ንቲ ክሳብ ሉም ኣብ ፖሊቲካዊ-ህይወት ኢትዮጵያ ስምብ-ራቱ ዝረአ መሰረታዊ ለውጢ ኣኸቲሉ።

ንቶም ካብ "ፈለግ-ተከዘ" ንሰሜን ዝርከቡ ሃገራት፡ እቲ ካብ ውሽጢ-ክርሶም ዝዓምበበ ጥንታዊ-ስርዐ፡ ከምኡይሉ ሃሲሱን-ተዳኺሙን ምትራፉ፡ ብዙሕ ኣጕሃዮም። ምኽንያቱ፡ እቲ ካብ ምምስራት ንግስነት-ኢትዮጵያ ኣትሒዙ፡ ብኣእም ዝመሓደር ዝነበረ ጸብለል-ትነት (ብዘይካ'ቲ ናይ ዛጌ-ስርወ ዝነገሰሉ፡ ኣብ ሞንጎ ዘሎ እዋን)፡ ናብዞም ንሰም ከም /ሓደስቲ ህዝቢ/ ባዕዳውያን/ ዘይማዕበሉ/ ትሑት ዓሌት/ ኢሎም ዝግምትዎም ህዝብታት-ጋላ ምስጋሩ፡ ነውሪ ኢሎም ስለ ዝኾነንዎ። ስለዚ ድማ፡ ብዝኸረ ናይቲ ክቡር ሰማዊ-መበቆሎም/ሕሉፍ ፖሊቲካውን-ወታሃደራውን ዓወታቶም/ብኣእም ተዘር-ጊሑ፡ ብሕልፊ'ውን እተኸላኸልሉ ልኡል ሃይማኖት/ግእዝ እተባህለ ብጥንታውነቱን-ልኡላውነቱን ዝኸበረ ቋንቋ(ኰይኑ ድኣ ኣብ ወማዓዊ-ርክባት እዚ ቋንቋ'ዚ፡ ኣምሓርኛ ብእተባህለ ሓድሽ-ቋንቋ ድኣ ይትካእ እምበር፡ ኣምሓርኛ ንባዕሉ ስኡን ቋንቋ ብምዃኑ በቲ ካብ ልምዳዊ-ኣዘራርባ ተኣጊዱ፡ ኣብ ቤተ-ክህነት ተወሲኑ ዝተረፈ ጥንታዊ ግእዝ እዩ ዝድገፍን-ዝምራሕን)/ ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ጸብለልትነቶም ኣብ ውሽጥ'ቲ ግዝኣት ብዘኸተሎ ጭቡጥ-ረብሓታት ተዘኻኺሮም፡ ነዚ፡ ከም እንደገና ምምላስ ወሰኑ።

ንዝነበረ ናይ ምስቍርቋር ስምዒታት ወዲቡን- መሪሑን፡ *ሚካኤል ስሑል* እተባህለ "*ተምቤናይ*" እዩ ኣንጻር ጋላ ኩቲቱ ምስ ሰዓሮም፡ ካብ ጐንደር ሰጕጉ ንዝነበረ ሓሮይ-ባር-መደብ ኣብ መፈጸምታ ኣብጺሑ፡ ንባዕሉ "ራእሲ-ቢትወደድ" ዝብል መዓርግ ተሰሊሙ፡ ንትግራይ ድማ እቲ ሃንቀው ዝብልዎ ዝነበሩ ጸብለልትነት ከረጋግጸሎም ክኢሉ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ «እዮኣስ» እተባህለ ንጉስ እዩ ኣብ ስልጣን ዝነበረ። እዚ ንጉስ'ዚ፡ ንተረር ኣገባብ እተሓሕዛ ናይዞም ሓደስቲ ጐይቶት ምስ ተገንዘበ፡ ንቲ በቶም ቀዳሞት (ጋላ) ዝፍቀዶ ዝነበረ ኣመላት ኩነ- ናይ ብልጭልጭ ህይወት ተዘኻኺሩ፡ ብሕቡእ ምስ ጋላ ውዲት መኸረ።

ሚካኤል ስሑል ነዚ ሰሚዑ፡ ንንጉስ'ዮኣስ ንማሕነቕቲ ፈሪዱ፡ኣብ ቦታኡ ካልእ መስ-ፍን ሸመ።

ብተመሳሳሊ ምኽንያት ግና፡ ነዚ'ውን ኣቕቲሉ ብካልእ ንጉስ ተክኦ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነዚ ሓድሽ እውን ካብ ስልጣን ኣውሪዱ-ቀንጢጡ፡ ንባዕሉ ፍጹም-ገዛኢ ናይቲ ንግስነት ኰይኑ ተረፈ።

ሚካኤል ስሑል ኣብ እርግናኡ፡ በቶም ቂም ኣኪቦም ዝጸንሑ ተጻረርቱ ንትግራይ ምስ ተደፍአ፡ ኣብኡ እዩ ዓሪፉ።

እቲ ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ኣምልኾታዊ-ክብሪ ዝጸንሖ ሕጋዊ-ስርወ (ዋላ'ውን ስልጣኑ ምስ ደኸመ)፡ ብኢድ ሚካኤል ስሑል ከምኡ ኢሉ ምስ ጠፍአ፡ ኣብ ዝነበሮ መዓርግ ክምለስ'ኳ እንተጸዓረ፡ ዳግም ምትንሳኡ ኣይተኻእሎን።

ኢትዮጵያ ንዝእ-ርእሳ ኣብ ፍጹም ርእሰም-ምኽኣል ዝመለሱ ክፍለ-ሃገራት ተመቓ-ቒላት፥

ኣብ ሰሜን፡ ግዝኣታት እስባጋዲስ/ ውቤ ክቕሙ እንክለው -

ኣብ ማእከል፡ ግዝኣታት ጉግሳ/ ዓሊ -

ብደቡብ ድማ፥ ንግስነት-ሸዋ ናይ ገዛእ-ርእሱ መሳፍንቲ ኣቑሙ ነቲ «መርእድ-ኣዝማች»ክበሃል ዝጸንሐ ሸመቶም ኣብ«ንጉስ»ዝብል ለዊጦም፡ ካልእ ትርጉም ኣልበስዎ።

ዝነበረ ንግስነት(እምበራጦርያ- *ፍሉይ ምልክታ ኣተርጓሚ*)እንደገና ንምጵጋን ብዙ-ሓት ፈተነታት'ኳ እንተተኻየዱ፡ ቅዱስ ክበሃል ዝጸንሐ ባህላዊ-ስረቱ ጠፊኡ ብምንባሩን/ሓይልን-ጸብለልትነትን ናይ ገለ ኰብለልቲ ስለ ዝዓብለለን/እተረኽበ ዓወት፡ ጊዚያዊ እዩ ዝነበረ።

ከምዚ'ሉ ድማ፥

-ንግስነት ተድሮስ ናይ ደምን-ረጽምን ግዝኣት እዩ ነይሩ።

-ንግስነት ዮሃንስ እውን፡ ካብቲ ናይ ተድሮስ ዝሓሸ ሰብኣዊ-ሓልዮት ድኣ የዘውትር እምበር፡ ንሱ'ውን ከም ናይ ረጽሚ ግዝኣት ይዝከር።

ነዚ ዘመስክሩ ኣብነታት፡ እቶም ኣብ *መረብ ምላሽ/ መሬት ትግርኛ* ዝርከቡ ዓድታት በብእዋኑ ዘላዕልዎ ዝነበሩ ናዕብታትን/ብረጽሚ ተደቚሶም ክነሶም፡ እንደገና ከይተሓለሉ ንተቓውሞ ምትንሳኦም ምጥቃስ፡ ኣኻሊ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ምኒሊክ ንባዕሉ ብዙሕ ጊዜ ምሕረት ተዝቢርሉ ከብቅዕ ኣንጻር ሃጼ-ዮሃንስ ብረት ካብ ምቅናዕ ኣይዓረፈን። እዚ ብሓያል ምትሕብባር መንግስቲ ኢጣልያ ኣብ ስልጣን ዝርከብ ንግስነት-ምኒሊክ እውን-(ኣብቲ እዋን)፡ ሓደ እዩ መላለዩኡ።

ኣብ ዝነበረ ንግስነት-ኢትዮጵያ፡ ሓደ'ኳ ካብዞም እተጠቕሱ መሳፍንቲ ሕጋዊ ውርሻ ዘመስክር ጭብጢ ኣይርከቦን።

ተድሮስ፡ ካብ ታሕተዋይ ደርቢ ኣብ«ቋራ» እዩ ተወሊዱ። ኣብ መጀመርያ እዋናት ንእስነቱ ድማ፡ ኣገልጋሊ እዩ ዝነበረ።

ዮሃንስ፡ ዘርኢ እንዳ ሚካኤል ስሑል ኰይኑ ቅሩብ ክብ ዝበለ ትውልዲ ድኣ ይሃልዎ እምበር፡ ካብ ሕጋዊ-መስል ንጉሳዊ ክብርስ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ ነይሩ።

ምኒሊክ፡ ጊላ ካብ ዝነበረት«ጋላ» ይውለድ። ዋላ'ውን ብርሑቕን-ዘይተ-ነጸረን መስመር-ኣደ ምስ ሰሎሞናዊ-ስርወ ይዛመድ እዩ እንተተባህለ፡ ንሱ'ውን ሕጋዊ ወራሲ ክኸውን ኣይክእልን። ምኽንያቱ ድማ፥

1)-ከምቲ ንሕና ኢጣልያውያን "ሳሊካዊ-ሕጊ" ዝመስረቶ ልምዳዊ መስመር ውርሻ እንኸተል፡ ኣብ ኢትዮጵያ እውን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ልምዲ ነይሩ-ኣሎን እዩ።

2)-ብከምኡ እንተዝኸውን፡ ተመሳሳልን- ካብኡ ንላዕልን መሰል ዝግብኦም ሰባት ኣብ ኢትዮጵያ ብኣሽሓት ይፍቀዱ።

3)-ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ጭብጢ ብዝርከቦ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣባታውን-ሕጋዊ መስመሩ ዝኸተልን ሓድጊ ወይ ዘርኢ ናይቲ ጥንታዊ ሰሎሞናዊ-ስርወ ዘለዎም ተባዕታይ-ጾታ፡ ኣብ ጐንደር ተደቢቖም፡ ዛጊት ናይ ህዝቢ ተቐባልነት ሃልዩዎም ብፍንው ህዝባዊ ኣገባብ ሃጸይ ተባሂሎም ዝጽውዑን-ዝናበሩን ሕጋውያን-ወረስቲ ኣለው። ኣብ ልዕሊ ናይ ሰለስተ-ሽሕ ዓመት ብሓይልን ክብርን ዝሓለፈ ዘመናት ካብ ዝብገስ ምስጢራዊ ናይ ህዝቢ ኣኽብሮት።

§.5- ወግዓዊ ቋንቋ።

ቋንቋ፡ ቅርጽን-ፍሉይነትን ሓደ ብሄር ዘረጋግጽ ረቛሒ እዩ። ኣብ ሓደ ሃገር ወትሩ ሓደ ቋንቋ ምስ ዝዝውተር፡ እቲ ኣብኡ ዝነብር ህዝቢ ሓደ ዝመበቆሉ ወይ ብክፍለ-ዘመናት ኣቢሉ ኣብ ሓደ ስድራ-ቤት/ኣብ ሓደ ስነ-ሓሳብ ምስ ዝጥርነፍ፡ ኣባል ናይቲ ዝነብረሉ ሃገር ምዃኑ ምእማን ኣየሸግርን።

ኣብ ኢትዮጵያ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኩነት ፈጺሙ ኣይርከብን። ብዝሒ ቋንቋታት ሃልዩ(ልምዳዊ ናይ ኣዘራርባ ቋንቋ ዘይኮኑ፡ ርእሱ ዝኸኣለን ካብ መሰረቱ እውን ዝፈላለ ቋንቋታት) ቁጽሪ ናይቶም ከም ኦሮምኛን- ትግራይን ዝበሃሉ ቋንቋታት ዝዛረቡ ህዝቢ፡ ካብቶም ኣምሓርኛ ዘዘውትሩ ይዓዩድ።

ቋንቋ ኣምሓርኛ (ኣመጻጽኣኡን/ ነቲ ቅድም ኣብ ማሕበራውን-ፖሊቲካውን ጉዳያት ይጥቀምሉ ዝነበሩ ቀጺሉ ግን ኣብ ቤተ-ክህነት ተወሲኑ ዝተረፈ ቋንቋ ግእዝ፡ ከመይሉ ከም ዝተብለሎን ጠቒስናዮ ነይርና) ወግዓዊ ቋንቋ ጥራሕ እዩ። ዋላ'ውን ሓሓሊፍካ ገለን ብትምህርቲ- ገለን ብዘልማድ (ብሕልፊ ኣብቶም ኣብ ዓድ-ሓበሻ ንቑሕ-ደርቢ ዝበሃሉ " ደብተራ ") ቋንቋ ኣምሓርኛ ይዝውተር እንተኾነ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ካብ ዓድ-እምሓራ ወጻኢ፡ ዘይርዱእ ቋንቋ እዩ።

"ኣብ ኤርትራ" ፥ ክልተ መሰረታውያን ቋንቋ ይዝውተሩ። ትግራይ(ትግርኛ)- ትግረ ይበሃሉ። ክልቲኦም ካብ ግእዝ ስለ ዝውለዱ፡ብርግጽ ሰማዊ-ቋንቋ እዮም። ብዘይካኦም፡ ዓይነቶምን-ኣመጻጽኣኦምን ዝፈላለ /ዓፋር/ ሳሆ/ ቢለን/ ባርያ/ ባዛ/ ሃደንደዋ/ ዝበሃሉ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ቋንቋታት'ውን ይዝውተሩ።

"ኣብ ትግራይ"፥ *ቋንቋ-ትግራይ* እዩ ዓብላሊ።

"ኣብ ላስታ"፥ *ትግራይ/ ሓማዊ* ዝመበቆሉ *ኣገውን* ይዝውተሩ።

"ኣብ ወሎ-ጋላ"፥ ብሓፈሻኡ ድማ ኣብ ኩሎም ህዝብታት ጋላ-ኢትዮጵያ፡ *ኦሮምኛን-*እቶም ካብኡ ዝመንጨው ልምዳውያን-ቋንቋታትን ይዝረብ።

"ኣብ ጎጃም"፥ *ኣምሓርኛ/ ኣገው/* እዮም መሰረታውያን ቋንቋ።

"ኣብ ሸዋ"፥ *ኣምሓርኛ/ ኦሮምኛ/* ይዕብልሉ።

እዚ ክበሃል እንከሎ ግን፡ዋላ'ውን ኣብቲ ሓደ-ቋንቋ ንውልቁ ዓብላሊ ኩይኑ ዝቕርበሉ ኣውራጃታት ናይ ግዜ-ርእሶምን እተፈላለየ ቋንቋ ዘዘውትሩን ህዝብታት፡ ኣይስኣኑን። ብሕልፊ ኣብ ዓድ-እምሓራ።

ቅርጺ-ኣዋድቓ ናይዚ ወግዓዊ ዝበሃል ቋንቋ(ኣምሓርኛ) ሰማዊ ክኑሱ፡ ኣደማምጻኡስ ዘይተነጸረ እዩ መሰረቱ። ኣብ ደቡባዊ-ክፍሊ ዓድ-ሓበሻ፡ ኣምሓርኛ ብዝያዳ ስለ ዝዝ-ውተር እዩ ምናልባት፡ነቲ ጉጉይ እምነት ናይ ኣምሓርኛ ከም ሃገራዊ-ቋንቋ ኢትዮጵያ ምዃኑ ከእምን ክኢሉ።

§. 6 - ሃይማኖት።

ሃይማኖት ንዝምልከት፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብብዝሒ፡ ኣብ ክርስትና ዝኣመነ ኩይኑ፡ ተኸታሊ ናይቲ ከም "ሞኖፊዚታዊ" ዝፍለጥ ኣብ ሓድነታዊ ባህሪ ክርስቶስ ዝምርኮስ ስነ-ሓሳብ እዩ። እዚ እምነት'ዚ፡ ብናይ ቫቲካን-ካቶሊክ፡ እተወገደ እዩ።

እስላም፡ ኣብ ዝኾነ ብብዝሒ ይፍቀዱ። ኣብ«ወረዳ-ሰሚን»ከኣ "ፋላሻ" እተባህሉ እስ-ራኤላውያን ይርከቡ። ኣብቶም ኣብ ኣገው-ምድር ዝርከቡ ኣገው፡ጣኦት ዘምልኹ ህዝቢ ይብዝሑ። ህዝብታት ጋላ፡ ዝወሓዱ ኣብ ክርስትና ዝኣመኑ ኩይኖም፡ መብዛሕትኦም ብባህሊ ዝመጸ እምልኾት ኣብ ባህርያውያን-ሓይልታት ወይ ድማ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ እዮም።

እዚ ክበሃል እንከሎ ድማ፣እቶም "ሞኖፊዚታውያን" ዝበሃሉ ክርስትያን ብኹሎም ኣብ ሓደ ሃይማኖታዊ ስነ-ሓሳብ ኣይጥርነፉን። ብእንጻሩ'ኳ ድኣ ከም ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት እተጋህደ፣ደም እተፋሰሱ ውሽጣዊ ምግምማዓት ብዓቢኡ ይኸፍፍሎም።

እቶም ናይ ኤውሮጳውያን ካቶሊክ ወይ ናይ ከኒሻ ሚስዮናት ከይጸብጸብካ፡ እዞም ሞኖፊዚታውያን ዝበሃሉ ክርስትያን፡ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ይኽፈሉ። ብዛዕባ ሓድነታዊ-ባህሪ «የሱስ-ክርስቶስ» ንኹሎም *ሞኖፊዚታውያን* ብሓባር ዝፈሊ ሃሚናዊ ኣረኣእያ ዝመስረቱ ምምቕቓል ንወገን ገዲፍካ፡ እዞም ሰለስተ ጉጅለ፥ *ካራ-ሃይማኖት/ ቅብኣት/ ተዋህዶ/* ተባሂሎም ይፈላለዩ።

ሰዓብቲ ካራ-ሃይማኖት፡ "ኣቡናውያን" እውን ተባሂሎም ኣብ ትግራይን/ኣብ ሓድሓደ ቦታ ዓድ-እምሓራ/ኣብ ሸዋ/ ይርከቡ።

" ቅብኣት " እተባህለ ካልኣይ ክፋል፡ ኣብ ጎጃም/ላስታ/ኣብቶም ክርስትና ዝኣመኑ ዓድታት ኤርትራ ይዝውተር።

እቲ ሳልሳይ ኣካል ወይ "ተዋህዶ"፡ መብዛሕትኡ ህዝቢ ሸዋ ዝኣምኖ ሃይማኖት እዩ።

ሃጸይ-ተድሮስ ንሰዓብቱ፡ እመንቲ ሃይማኖት ጎጃም ክኾኑ የገድድ ነበረ። ሃጸይ-ዮሃንስ ንናይ ትግራይ ኣቡናውያን ተጣበቐ። ክልቲኦም ብሓባር ግና ኣብ እተወልድሉ ኣውራጃታት፡ ነዚ ፖሊቲካዊ-መኽሰብ ዝነበሮ ዕላማታት ንምርግጋጽ፡ ብፍላይ ድማ ኑቲ ብሓይሊ-ብረት ኣቢሎም ኣብ ልዕሊ ጉልበት ደቅ-ሰብ ዘረጋገጽዎ ጸብለል፡ ብሃይ-ማኖት ኣቢሎም "መንፈስ" እውን ክገዝኡ ምእንቲ፡ ዘስክሕ ጃምላዊ ቅትለት/ ኣካላት ምጉዳል/ ካልእ ኣረሜናዊ ግፍዕታትን ካብ ምፍጻም ዓዲ ኣይወዓሉን።

§. 7- ባህርያውያን ኣውራጃታት ዓድ-ሓበሻ።

ከም እተገንዘብናዮ እምበኣርከስ፡ ግብሪ ዝግብሩ ሃገራት ንወገን ገዲፍካ፡ ዓድ-ሓበሻ ካብ ሰሜን-ንደቡብ ምስ እንምልከቶ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ሃገራት ክኽፈል ምተኻእለ፥

1)- *ምድረ-ባሕሪ* ናይ ሎሚ ኤርትራ፣ካብ ፈለግ-መረብ ንሰሜን ዝርከብ ሃገር-

2)- *ትግራይ፥* ኣብ ሞንጎ ፈለግ-መረብ/ ፈለግ-ተከዘን ዘሎ ሃገር-

3)- *ላስታ፥* ኣብ ሞንጎ ፈለግ-ጸላሪ/ ፈለግ-ተከዘን ዝርከብ ሃገር-

4)- *ኣምሓራ፥* ኣብ ሞንጎ ኣፍላጋት /ተከዘ/ ኣባይ/ በሽሎን ገማግም ከበሳን ዝርከብ ማእከላይ ኣውራጃ የጠቓልል-

5)- *ጎጃም፥* ፈለግ ኣባይ ዝቐንዮ ሃገር'ዩ-

6)- *ወሎ ጋላ፥* ኣብ ሞንጎ ኣፍላጋት /በሽሎ/ባንሸት/ ዝርከብ መሬት-

7)- *ሸዋ፥* ኣብ ሞንጎ ኣፍላጋት /ባንሸት/ ኣዋሽ/ ዘሎ ሃገር እዩ።

እዞም ሸውዓተ ኣውራጃ ወይ ሃገራት፡ ብተፈጥሮኣዊ ዶባትን- ጆግራፍያዊ ቅርጽን፡ ኣጸቢቖም ንጹራት እዮም። ዝቕመጥዎም ህዝብታት'ውን ብተዛማዲ፡ ብባህሊ- ቋንቋ- ሃይማኖት- ጥቕሚ- ይፈላለዩ እዮም።

§. 8- ምድረ-ባሕሪ።

ብጥንቲ፡ ምድረ-ባሕሪ ብዘይካ'ቲ ኣብ ሰሜናዊ-ወገን መስመር ወሓይዛት መረብ-በለሳ-ሙና/ዝርከብ ክፋል ከበሳ፡ ምሬት መንሳዕ/ቦጎስ/ማርያ/ሰምሃር/ምጽዋዕ/ ዓድ-ሓባብ/ ደሴታት ዳህላክ/ ብምዕራብ ድማ ክሳብ ፈለግ-ኣጥባራ ዝርከብ መሬት'ውን እዩ ዘጠቓልል ነይሩ።

ስፍሓት ናይዚ መሬት'ዚ እንተተመልከትና፣ ኑቲ ወረዳ-ከሰላን/ብስሜን ሓባብ ድማ ክሳብ ስዋኪን ዘሎ መሬት ጸንቢርካን፣ ብግብሪ ኑቲ ሎሚ ኤርትራ ዝበሃል ስፍሓተ-መሬት እዩ ዝምልከት ነይሩ።

ካብ መላእ ዓድ-ሓበሻ ድማ እዚ ዞባ'ዚ ብፍላይ ኣብ ገምገም-ባሕሪ ስለ ዝርከብ፣ «ምድረ-ባሕሪ» ተባሂሉ ክስመ፣ ብሓቂ ትርጉሙ ኣይሰሓተን። ኣሰዒብና ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ከም እንምልከቶ ድማ፣ እቲ ካብ "እስያ" ዝመጸ ሰማዊ ዝነገዱ ህዝቢ-ግእዝ፣ ካብቲ ኣብ መላእ-ኣፍሪቃ ዝርከብ ቦታታት፣ ነዚ ዞባ'ዚ እዩ ንቕድም ወሪሩ።

ናይ ንጥፈታቱ-መደበር ኣብዚ ብዘቕመ ድማ፣ በብቕሩብ ንደቡብ እናደፍአ፣ ንቕድም «ንግስንት-ኣኽሱም» መስሪቱ፣ ንምሉእ እምባታት ኢትዮጵያን-ባህርያውያን ግዝኣቱን/ ክሳብ ደሴት መሮወ-ኒል ጻዕዳን ብወገን ምዕራብ/ ክሳብ ህንዳዊ-ውቅያኖስ ንደቡብ/ መሊኹ፣ ዝለዓለ ሓይሊ ኣብ ዝደለበሉ እዋናት ድማ፣ ንደቡባዊ-ክፍሊ ሃገር-ዓረብ ከይተረፈ፣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ከጽንብር ክኢሉ።

ምድረ-ባሕሪ፣ እቶም ንኣፍሪቃ ዘሳገሙ « ኣግኣዝያን » ንመጀመርያ ዝሰፈርዎ-ዘመሓደርዎን ቦታ ኣብ ርእሰ-ምንባሩ፣ ኣብ ገማግም-ባሕሪ ዝርከብ ምቹእ ባይታ ብምኻኑ እውን፣ ንህዝቢ ግእዝ ምስ ጥንታዊ-ሃገሮምን ምስቶም ኣብቲ ሓደ ገምገም ቀይሕ-ባሕሪ ወይ ባሕሪ-ኤርትራ ዝተረፉ ኣሕዋቶም እውን ዝምድና-ርክቦምን ምቕጻል ስለ ዝፈቐደ፣ ዋላ'ውን ኣግኣዝያን ናይ ደቡብ ምስፍሕፋሖም ኣብ መፈጸምታ ኣብጺሖም ንግስንት-ኣኽሱም መስረቶም፣ ዝለዓለ ሜፍ ስልጣኑ ብዘረጋገጹ፣ ምድረ-ባሕሪ፣ ኣብ ዳርጋ ኩሉ እዋናት፣ ፍጹም ርእሰ-ምምሕዳሩ ዓቂቡ ይነብር ነበረ።

ምኽንያቱ ድማ እዚ ቦታ'ዚ፣ ዕብየት-ሓይሎም ዘበገሰሉ መንነዊ(ስለል)፣ ባህሎም ዝዓቀብሉ ቅዱስ-ቦታ ብምንባሩን፣ ካብተን ካልኣት ኣውራጃታት ናይቲ ንግስንት፣ ዝለዓለ ክብርን-ቀዳምነትን ስለ ዝኣመንሉ እዩ።

§.9- ባሕረ-ነጋሲ።

ንግስንት-ኣኽሱም ቅድሚ ምምስራቱ ኣብ ዘሎ ዘመናት፣ ፖሊቲካዊ-ስርዓት ምድረ-ባሕሪ ከመይ ከም ዝነበረ ምፍላጥ፣ ኣይከኣልን። ብባህሲ ከም ዝዝረበሉ ግን፣ ልክዕ ኑቲ ጥንታዊ ሰማዊ-መንፈስ ብዝመስል መንገድን-ኣገባብን፣«ኣባታዊ-ስርዓት» እዩ ዝነበረ። ነዚ ዘረጋግጽ፣ እቲ ኣብ መጀመርያ እዋናት ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና መዋእል፣ "ንግስንት-ኣኽሱም" ጽውጽዋይ ምኺኑ ተሪፉ ኣብ ታሪኽ ምስ ኣተወ፣ ዝነበረ ሕጋዊ-ምምሕዳር ምድረ ባሕሪ እዩ።

እቲ ነዚ ተልእኮ'ዚ ከማልእ ዝምዘዝ በዓል-ስልጣን፣«ባሕረ-ነጋሲ» ተባሂሉ፣ ብምርጫ ዝሰየም ኣኽባረ-ሕጊ እዩ ዝነበረ። ን «ንጉሰ-ነገስት ዘኢትዮጵያ» ልኡላውነቱ ፈሊጡ፣ ለጠቕ ዝበለ ግብሪ እናኸፈለ፣ ካብኡ እዩ'ውን እቲ መዝነት ዝጥበቐሉ ነይሩ።

እቲ ምርጫ ከመይሉ ይፍጸም ምንባሩ ምፍላጥ እውን ኣጸጋሚ እዩ። ከምቲ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ቀጺልና እንብርሆ ግና፣ ኣብዚ ቦታ'ዚ ካብ ዝርከቡ ናይ ታሪኽ-ባህልን ኣሰራት ከም ዝሕብርዎ፣ ባሕረ-ነጋሲ፣ በቶም ርእሰ-ነገድ «እንዳታት ኣግኣዝያን ምድረ-ባሕሪ» ቀዳምነት ካብ እተፈልጠሉ ስድራ-ቤት፣ ነዚ መዝነት ይበቅዕ ካብ ዝበሃል "ቦኾር-ገዛ" እዩ ዝምረጽ ነይሩ፣ ዝብል ስርወ-ሓሳብ (Ipotesi : Hypothesis) ምቕራብ፣ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይከውንን።

ኣብ መላእ'ቲ ንግስንት ዝጸንሐ መስመር ውርሻ-ስልጣን እውን ንባዕሉ፣ ነዚ ዝመስል ኣገባብ ይኸተል ምንባሩ፣ ንዝቐረበ ስርወ-ሓሳብ ዝያዳ ተደጋፊ ይገብሮ።

ባሕረ-ነጋሲ ዝብል መጸዋዕታ፣ ኣብ ትሕቲ ስልጣኑ ዝነበረ ሃገር ካብ ዝነበር ጆግራ-ፍያዊ-ኣቀማምጣ ዝንቀለን- ንዓኡ ዝሕብር ትርጉምን እዩ ነይሩ። ካብ መላእ ኣውራጃታት ኢትዮጵያ ድማ፣ እቲ ኣብ ጥቓ ገማግም-ባሕሪ ዝርከብ ቦታ ኮይኑ፣ ጊዜኡ ካብ ዘይውሰን እዋን፣ ነጋዶ ዝኸተልዎ መስመር ኢታውን-ሰደድን ሃገር፣ በዚ እዩ ዝመሓላለፍ ዝነበረ።

ንከም'ዚ ዝበለ "ነጋሲ" ወይ "ኣመሓዳሪ-ባሕሪ" እተዋህበ ሽመት፡ ብልክው እተገብአ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ምድረ-ባሕሪ ዝነበሮ መዝነት፡ ኣብ መላእ ገማግም ምብራቕ-ኣፍሪቃ፥ ካብ "ወሽመጥ-በረኒቐ (24° L. N.)" ክሳብ "ጸንፌ ቀመማት ወይ ጓርዳፉይ" / ኣብ ገማግም ህንዳዊ-ውቅያኖስ ድማ፥ ካብ "ጸንፌ ቀመማት" ክሳብ "ገማግም ሶፋላ (20° L. S.)" -(ማለት ክሳብ'ቲ ብዙሓት ሊቃውንቲ ኣብዚ እዩ ዝብልዎ ምስጢራዊ "ዓድ-ኦፊር"፡ እቲ ንግስቲ-ሳባ ሰሎሞን ንምብጻሕ፡ ንዩሩሳለም ክተምርሕ፡ ክሳብ ወደብ "እግጽዮን-ጋብር" ዘኽተልአ መራኽብ ነቒለናሉ ዝበሃል ቦታ)- እዩ ዝርጋሐ ስልጣኑ ዝነበረ።

እቲ መበቆል-ኣግኣዝያን ዝኾነ ሃገር-ዓረብ ኣብ ሞንጎ 4°ይን - 6°ይን ክፍለ-ዘመን ንዝእ ርእሱ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢትዮጵያ ምስ ኣተወ፡ ዝነበረ ስልጣን ባሕረ'ጋሲ ክመይ ዝበለ ዕብየት ከም ዝደለበ ብቐሊሉ ንርዳእ።

እተጠቕሱ ናይ ሓፈሻ ኩነታት ከም ዝሕብርዎ፡ ኣብ ንግስነት-ኢትዮጵያ፡ ስልጣን ባሕረ'ጋሲ ብዝነበሮ ልኡል ግምት፡ ደረጃ ክብሩስ፡ ደድሕር'ቲ ናይ ንጉሰ-ነገስት እዩ ዝስዕብ ዝነበረ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ ኣብ ሞንጎ ንጉሰ-ነገስት/ ባሕረ-ነጋስን፡ ዘይምቅዳው-ን-ውድድርን በብእዋኑ የጋጥሙ ነይሮም ጥራሕ ዘይኮኑ፡ንጉሳዊ-ማምቢ ካብ ኣኽሱም ንጐንደር ማዒዙ፡ ሰሎሞናዊ-ስርወ ማእዛዊ ባህሉ ተዳኺሙ ብጋላ ምስ ተዓብለለ፡ እቲ ዝጸንሐ ግርጭቶም ኣብ ዝለዓለ መድረኹ ኣትዩ ኣብ ረጽምን-ምፍልላይን እውን ተበጺሑ እዩ።

ባሕረ-ነጋሲ፡ ብክረምቲ ኣብ ባጽዕ/ ብሓጋይ ድማ ኣብታ ብዙሓት ኣብ መበል 16 ክፍለ-ዘመን ንዓድ-ሓበሻ ዝበጽሑ ገያሾ ኣብ ጽሑፋቶም ዝጠቕስዋን፡ ብእዋኑ ክብርትን-ኣድንቖት ዘትረፈትን ከተማ ደባርዋ፡ እዩ መናበሪኡ ዝነበረ።

§.10 - ብዛዕባ ምድረ-ባሕሪ ዝቐርብ ሓበሬታ።

እቲ "ፐሊንዮ ኢል ናቱራሊስታ" እተባህለ ሮማዊ-ፍላስፋ፡ ብዛዕባ'ቲ ሎም ክተማ-ባጽዕ ዝርከበሉ ገማግም፡ «ሊዶ ዲ ባራጋዛ»(1) ኢሉ እናሰመየ፡ ህላዌ ናይ ከም ባሕረ-ነጋሲ ዝኣመሰለ በዓል-ስልጣን ካብ መጀመርያ ክፍለ-ዘመን ናይ ዘለናዮ መዋእል እትሒዙ እዩ ዝነበረ ኢሉ ዝሕብሮን- ካልኦት ድማ፡ የለን፡ ኣመጻጽኣ ናይቲ ስም፡ ካልእ'ዩ መበቆሉ ዝብልዎ ክርክራትን፡ ኣብዚ ምምርማር ኣድላይ ኣይኮነውንን።

ጭብጥታት ካብ ዘይርከቦም ሓበሬታ ተበጊስና ናብ ጌጋ ከይንምርሕ፡ ኣብ ርሑቕ ሕሉፍ-ዘመናት ከየድሃብና፡ ኣብቶም ንመጽናዕትና እኹላት ዝኾኑ ብ 16 ክፍለ-ዘመን እተጻሕፉ ማእሊያ ዘይብሉም ዶኩመንትታት እንተተመልከትና፡ ልክዕ ነቲ ኣብ ማእከላይ-መዋእል (Medio Evo : Middle Age) ኣብ ኤውሮጳ ብመሳፍንቲ ይግዝኡ ዝነበሩ ወረዳን-ኣሃዱታትን ምስቲ ማእከላይ-ስልጣን ዝነበሮም ዝምድና ብዝመስል ኣገባብ፡ ብቕድሚ 500 ዓመት ኣቢሉ ይኹውን፡ መላእ ምድረ-ባሕሪ ርእሱ-እናኣመሓደረ፡ ምስ ንግስነት-ኢትዮጵያ ክልሰ-ሓሳባውን ናይ መጸዋዕታን ድኣ'ምበር፡ ግብራዊ ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘይነበሮ ንርዳእ።

«ሃጸይ-ዳዊት ሳልሳይ»ኣብ ስልጣን ዝነበረሉ እዋናት(1507-1540 ዓ.ም.) ንዓድ-ሓበሻ ካብ ዝኣተው "ፖርቶግዛውያን-ካህናት" ዘመሓላለፍዎ ጽሑፋት ከም ዘረጋግጹ፡ ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ ንግስነት-ትግራይ፡ ባሕረ-ነጋሲ እተባህለ በዓል-ስልጣን ዘመሓድሮ «ምድረ ባሕሪ» እተባህለ ሃገር ከም ዝነበረ ይጥቀስ(2)።

ምስ ስርዓት ካቶሊካዊ-ሚስዮን ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝተኣሳሰሩ ፍጻሜታት ምስ እንምልከት፡ ባሕረ-ነጋሲ ይስሓቕ ዝነበሮ ዓቢ ተራ ንግንዘብ።

ባሕረ-ነጋሲ ይስሓቕ፡ ናይቶም ከም "ማሕበረ-የሱስ" ዝፍለጡ ካህናት ስርዓት «ጀዙዊት» ዕሱብ ድዩ ዝነበረስ ? ወይሲ ብኣእም ተጠቒሙ ካብ ልኡል ንጉሳዊ-ስልጣን ፍጹም ሓራ ኰይኑ፡ ግዝኣቱ ክኤው--መረብ ምስፋሕ ዝኣመሰለ ዕላማ ምኽታሉ፡ ብርግጽ እዚ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ብታሪኽ ግና ብ 1559 ዓ.ም. ኣብ ደባርዋ(3) ኣብ ዝነበረ ቤተ-መንግስቱ፡ ነቲ ብንጉስ "ፖርቶጋሎ" (Portogallo : Portugal)

ንኢትዮጵያ እተላእከ " እንድረኣ ዶ ቬዶ " እተባህለ ኣቡን፣ ድሙቕ እንግዶት ከም ዝዝበረሉ ይፍለጥ።

«ኣንድረኣ ዶ ቬዶ»፣ ምስለን ተባሂሉ ናብ«ሃጼይ ግላውዴዎስ» እዩ ተላኢኹ ዝነበረ። እቲ ሃጼይ ብወግዒ'ኳ ንዘተ እንተቐረበ፣ ኑቲ ብድሮ ብ ቤተ-ክህነት ኣብ ትሕቲ ናይ ሮማ ቤተ-ክርስትያን ምቕያድ ዝወሃቦ ዝነበረ ሓበሬታ ሕጂ'ውን ምስ ነጸገ፣ ዶ-ቬዶ በዚ ተቐይሙ ንጉሳዊ ቤተ-መንግስቲ ለቒቑ ወጸ። ባሕረ-ነጋሲ ይስሓቕ ድእ፣ ሰፊሕን-ድሙቕን እንግዶት ዝኒሩ ተቐበሎ።

ተቓውሞ ባሕረ'ጋሲ ንንጉሳዊ-ስልጣን ግና ኣብዚ ጥራሕ ኣይኮነን ዝውሰን።

ብድሕር ሞት ሃጼይ-ግላውዴዎስ፣ ሚናስ ሓው ብስም «ኣዳም-ሰገድ » ኣብ ስልጣን ብዝመጸ(1559-1563 ዓ.ም.)፣ ብግዙድ ኣንጻር ወጸእተኛታትን እቲ ንሶም ንኢትዮጵያ ክተእታትው ዝህቅኑ ዝነበሩ ኤውሮጳዊ ምዕባለን ስለ እተላዕለ፣ ሚስዮናውያን፣ ንባሕረ'ጋሲ እዮም ሓገዝ ሓቲቶም። ጽቡቕ ፍቃዱ ኰይኑ ድማ፣ ደገፉ ምርግጋጽ ጥራሕ ዘይኰነ፣ ንዘኾነ ምስ ንጉሰ-ነገስት ኣሲርዎ ዝጸንሐ ዝምድና'ውን በተኸ።

ካብዚ ሓሊፉ'ውን፣ እቲ በቶም«ጀዙዊቲ» እተባህሉ ሚስዮናውያን ብዙሕ ጊዜ መብጽዓ እተገብረሉ ካብ " ጎዋ " ክመጽእ እተባህለ ሓገዝ ምስ ተደናጕየ፣ ባሕረ-ነጋሲ ይስሓቕ ምስቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ንባጽዕ ዝወረሩ እስላም ተሓባቢሩ፣ ንሓደ ዓርኩ ሃጸይ ኢሉ ሽይሙን- ምሳኡ ኣሰሊፉን፣ ብረት ኣልዒሉ ብ 20 ሚያዝያ 1563 ዓ.ም. ኣንጻር ኣዳም-ሰገድ ብርቱዕ ኩናት ከቲቱ ምስ ሰዓሮ፣ እቲ ሃጼይ ንበይኑ ኰብሊሉ ኣብ ስደት እዩ ሞይቱ።

ኣብቲ እዋን'ቲ እተኻየዱ ፍጻሚታት ብደቂቕ 'ክይተኸተልና፣ ኣብ መፋርቕ ናይቲ ዝሰዓበ ክፍለ-ዘመን፣ " ጃኮሞ-ባራቲ " እተባህለ ኢጣልያዊ፣ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኰይኑ ዘካየዶ መጽናዕቲ፣ ብ 1655 ዓ.ም. ኣብ ዘውጽኦ ሕታም፣ ን«ባርናጋስ» ምስ ንግስ-ነታት ዓቢ ንጉስ ዓድ-ሓበሻ ይሰርዮ።

እቲ ብቋንቋ-ጣልያን ዝወጸ ጽሑፍ፣ ኣጋጣሚ ጠፊኡ እዩ። ውሑድ ቅዳሓቱ ግን፣ ብቋንቋ ጀርመን-እንግሊዝን ተተርጒሙ ይርከብ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ ከም ዘቕርቦ ሓበሬታ፣ ብድሕሪ ባሕረ-ነጋሲ ይስሓቕ እውን እንተኾነ፣ ምድረ-ባሕሪ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ሃጸያት-ኢትዮጵያ ተመሊሱ ክነብቅዕ፣ ርእሰ-ምምሕዳሩ ግና ከም ዝቕጸለ የረድእ።

ኣባል ናይቲ ከም «ማሕበረ-የሱስ» ዝፍለጥ ትካል፣ " ጂሮላሞ-ሎቦ " እተባህለ ካህን፣ ብቋንቋ-ፖርቶጋዝ ዝሰኣሎ ማፓ(ማፕ) «ለ-ግራንድ»እተባህለ ፈረንሳዊ ድማ፣ ብ-ቋንቋ-ፈረንሳይ ኣተርጒሙ ብ 1728 ዓ.ም. ኣብ ፓሪስ ሓቲሙ ዝዘርግሖ- ከም ዝሕብር፣ ኣባ-ሎቦ ኣብ ሞንን 1624-1634 ዓ.ም. ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝነበረሉ እዋናት፣ ንምክትል-ንጉስ፣ ባሕረ-ነጋሲ ኢሉ እናሰመየ፣ ስፍሓት ምድረ-ባሕሪ ክመይ ከም ዝነበረ ብንጹር ይገልጸ።

ነዚ ጆግራፍያዊ-ስእሊ ኣገዳሲ ዝገብሮ ድማ፣ ሓማሴን ከም " ረፑብሊክ " ይመሓደር ምንባሩን/ «ድባርዋ» ድማ፣ መናበሪ ቦታ ባሕረ-ነጋሲ ከም ዝነበረን ምሕባር ጥራሕ ዘይኰነ፣ ዶቡባዊ-ዶባት ምድረ-ባሕሪ፣ እቲ ን መረብን/ተከዘን ዝፈላሊ ማያት ምዃኑ ስለ ዝጠቅስን እውን እዩ።

-እዚ ኣገዳሲ መዳያት ዘማልእ ጆግራፍያዊ-ስእሊ፣ ንኣንባቢ ብ " ስካላ(ስከይል)" 1/500.000 እዩ ቀሪቡ ዘሎ። እቲ ቀንዲ ሕታሙ ግና፣ ብማምት 1/4.000.000 እዩ ዝነበረ።-

ሕጋውነት ዘይብሉ፣ ኣብ ዘይናትካ ምእታው ድኣ ከይከውን እምበር፣ እዚ ሓበሬታ'ዚ ሓቂ ዘንጸባርቕ ክይኮነ ኣይተርፍን። ምኽንያቱ ድማ፣ ኣብቲ ፋሉላዊ ዝበሃል ዘመናት፣ ማዝኣት ምድረ-ባሕሪ ሓድሓደ እዋናት፣ ንደቡብ ገጹ'ውን ይደፍእ ነይሩ እዩ።

እቲ ብዛዕባ ምብራቓውያን ሃገራት-ዓለም መጽናዕቲ ዘእከለ « ሉዶልፍ» እተባህለ ጀርመናዊ፣ ንጉዳያት ኢትዮጵያ ብተገዳስነት ኣጽኒዑ ን «ንግስነታት ዓድ-ሓበሻ»

ብፍቕዲ እናቕረበ፣ ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ ናይቲ «ሂስቶርያ ኢትዮፒካ» ዝብል ብ 1681 ዓ.ም. ኣብ ፍራንክፈርት እተዘርገሐ ጽሑፍ፣ ከምዚ ዝስዕብ ይጠቕስ፥

> «....ትግራይ፣ ንቶም ንኢትዮጵያ ብሰሜናዊ ክፍሉ ዝኣትው በጺሑቲ፣ እቲ ቀዳማይን-ኣኽብሮት ዝግቦኦን ሓደ ካብቶም ንግስነታት እዩ። ብዋንቲ፣ ነገስታት-እኽሱም ዝነበርሉ ሃገር እዩ። እቲ ክብሪ ዘለዎ ክፍላቱ፣ ኣብ ጥቓ ቀይሕ-ባሕሪ ይርከብ። ምድረ-ባሕሪ ተባሂሉ ድማ፣ ሰለስተ ኣውራጃታት የጠቓልል።
>
> እቲ ነዚ ዘመሓድር በዓል ስልጣን፣ *ባሕረ-ነጋሲ* ተባሂሉ ኣብ ድባርዋ እዩ መናበሪኡ። ኣብ ትሕቲ ስልጣን ባሕረ-ነጋሲ ዝርከቡ ምምሕዳራት፥
>
> 1)-*ባርካ*፥ ዝቕመጥዎ ህዝብታት ጓሶት ብምዃኖም፣ ብሓጋይ-ክረምትን እናሳገሙ ቦታ ለዊጦም ይናበሩ።
>
> 2)-*እጋላ*፥ (ኣከለ ጉዛይ)።
>
> 3)-*ሓማሴን*፥ ሰለስተ ምድሪ ሃልይዎ ንንጉስ ዓድ-ሓበሻ እውን ይምእዘዝ እዩ። ኰይኑ ግና፣ ኣመሓደርቶም ባዕሎም እናመረጹ ልክዕ ከም ሓደ «ንኡስ-ረፑብሊክ » ብናይ ገዛእ-ርእሶም ሕግታት ይመሓደሩ። ብልምዲ፣ ካብ ግዳም ንዝመጹ ስደተኛታት ብርህራሄ ዑቕባ ይፈቕዱ......»

ካብዚ ቃላት'ዚ ክንርዳእ ከም እንኽእል፣ ዋላ'ውን ኣብቲ እዋን'ቲ ምድረ-ባሕሪ ከም ክፋል ንግስነት-ትግራይ ኰይኑ'ኳ እንተቐረበ፣ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሓራ ዝኾነ ስርዓት ሃልይዎ፣ ከም ናይ ሓማሴን ብዝመስል፣ ቀዋሚ ህዝቢ ዝነብሮ " *ፈደራላዊ-ረፑብሊክ* " እዩ ዝመስል ነይሩ።

ጀይምስ ብሩስ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ነቢሩ ብተገዳስነት'ውን ካብ 1768 ክሳብ 1773 ዓ.ም. መጽናዕቲ ኣካይዱን፣ ነቲ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ባሕረ-ነጋሲ ዝመሓደር መሬት፣ ካብዚ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ መግለጺ ዝያዳ ሓበረታ ይህበሉ።

ኣብ ሳልሳይ-ቅጺ ገጽ 116 ናይቲ " Voyage en Nubie et en Abyssinie " (*መገሻ ንኑብያ ዓድ-ሓበሻን*) ዝርእስቱ ጽሑፍ፥ ባሕረ-ነጋሲ ዘመሓድሮ ወረዳ፣ ምድረ-ባሕሪ ተባሂሉ ይስመ ኢሉ ምስ ደገመ፣ ውሓዚ " በለሳት " ካብ ዓድ-ሽሕ ኣብ ትግራይ ተበጊሱ ሓጺር ጉዕዞ ውሒዙ ምስ መረብ ምስ ተጸንበረ፣ በቲ ወገን'ቲ ሃገራዊ-ዶብ ባሕረ'ጋሲ የመልክት ነይሩ ይብል (እዚ ኩነታት'ዚ፣ ክሳብ'ቲ ሽዑ ብህይወቱ ዝነበረ ራእሲ ሚካኤል-ስሑል ወራር የካይደሉ ዝነበረ እዋናት፣ ከምኡይሉ ከም ዝቐጸለ ይጥቀስ)።

ኣብ ገጽ 129 ድማ ከምዚ እናበለ ይቕጽል፥ «...ፈለግ መረብ፣ *ትግራይን/ ሃገራት ባሕረ-ነጋስን ዝፈሊ ወሰን እዩ።....»*።

ኣብ ኢጣልያ፣ ክሳብ'ዚ ናይ መወዳእታ እዋናት፣ ኩሉ'ዚ ሓበረታ ኣይፍለጥን ዝነበረ።

ብድሕር'ቲ «ኣባ-ሉቦ» እተባህለ ካህን ዝነበረሉ ዘመን'ውን እንተኾነ፣ እቲ ናይ ምድረ-ባሕሪ ርእሰ-ምምሕዳር ኣየቋረጸን። ብሓቂ'ውን፣እቲ ባሕረ-ነጋሲ ዝብል ስል-ጣን፣ ብውርሻ ምምሕልላፍ ተለምደ'ሞ ኣብቲ ቦታ ዝጸንሐ«ኣባታዊ-ስርዓት» ክዳኸም ጀመረ። እዚ ግን፣ ብፍንው ምንቅስቓስን-ምርጫን ህዝብታቱ እዩ ዝኾነ። ምኽንያቱ ድማ፣ ካብቲ ንዓድ-ሓበሻ ኣዋጢርዎ ዝነበረ ናይ ፋሉልነት ህቦብላ ንምክልኻል፣ ብዝያዳ ናይ ስምረትን-ጥርናፈን ኣድላይነት ተራእዩ፣ ንጸላእቲ ሓርነት-ነጻነቶምን ብዝበለጸ ምምካት እዩ ተገይሩ።

ምእንት'ዚ'ውን ሓደ መስፍናዊ-ግዝኣት (Principato : Principality) ዝመስል ቅርጺ ከም መሪሕ-ኣሃዱ ኣቚሙ'ሞ፣ መሪሕነቱ ድማ፣ ሓያል «እንዳ-ጸዓዘጋ» ተረከቦ። እዚ ዝኾነሉ ድማ፣ እዚ እንዳ'ዚ፣ ካብቶም ኣብ መረብ/ምላሽ ዝነበሩ ነገዳት፣ እቲ ቦኸሪ ተባሂሉ ዝጽዋዕን- ኣብ ሕሉፍ'ውን ብዙሓት ባሕረ-ነገስታት እተመርጽሉ *እንዳ* ብምንባሩን እዩ።

«*እንዳ-ጸዓዘጋ*» ክሳብ መፋርቕ 16 ክፍለ-ዘመን ብመውስቦ ድቕ-ኣንስትዮኡ ኣቢሉ፣ ምስቲ ሰሎሞናዊ ዝበሃል ስርወ፣ ተዛሚዱ እዩ ጸኒሑ። እቲ ዝለዓለ ዝናኡ ግና፣ ብ

ዘመነ *ደጊያት-ገብረክርስቶስ* ኣብ እዋን ንግስነት *ሃጸይ-በካፋ* (1719-1729 ዓ.ም.) እዩ ኣረጋጊጹ።

ደጊያት-ገብረክርስቶስ ምስ ደቁ ሓቢሩ፣ ዝነበረ ግዝኣቱ ክሳብ ፈለግ-ተከዘ እዩ ኣስፊሕዎ ዝነበረ። ውሩያት ካብ ዝበሃሉ ደቁ ድማ፣ እቲ ዕውት ወራራቱ ክሳብ ወልቃይት- ኪኖኡን ዘብጽሐ *ደጊያት-ማሙ*፣ ከምኡ'ውን እቲ ብጅግንነት ኣንጻር ጋላ እናተዋግአ ዝሞተ *ደጊያት-ርእሰሃይማኖት* ይዝከሩ።

ንደጊያት-ገብረክርስቶስ ወራሲኡ ማንጦክር-ውላዱ *ደጊያት-ተስፋጽዮን* እዩ። ንሱ'ውን ኣብ ንእስነቱ ሓደ ወራሲ ውላድ ኣብ ዕሸሉ ገዲፉ እዩ ሞይቱ። ምእንት'ዚ፣ እቲ ስልጣን በቶም ኣሕዋቱ (ደጊያት ማሙ/ ደጊያት ርእስሃይማኖት) ክመሓደር ጸኒሑ፣ እቲ ሰሎሞን እተባህለ ህጻን ዕድመኡ በጺሑ ብድሕር ሞት ርእሰሃይማኖት፣*ባሕረ-ነጋሲ* ተባሂሉ ምምሕዳራዊ-ስልጣን ተረከበ።

ኣቦን- ሓወቦታትን *ባሕረ'ጋሲ ሰሎሞን*፣ ተጣበቕቲ ንጉሳዊ-ስልጣን ብምንባሮም እዮም ክንድ'ዚ ዕብየትን-ሓይልን ክድልቡ ክኢሎም። ብዘይካ'ዚ እውን፣ በቶም ግእዝ ዝመ-በቆሎም ኣብ ናይ ጥንቲ ወረዳታት ኢትዮጵያ(ትግራይ/ምድረ-ባሕርን ብፍላይ) ዝነ-በሩ ህዝብታት፣ኣንጻር ናይ ኣምሓራን-ጋላን ዕብለላ ዝተንሰአ ስሩዕ ተቓውሞ ዝመርሑ፣ ንሶም እዮም ዝነበሩ።

ኣምሓራን-ጋላን፣ ነቶም ክቡራት ሰሎሞናዊ-ዘርኢ ዝበሃሉ ነጋውስ፣ ከም ድላዮም ክጥቀሙሎም-ክብለጹሎምን እውን በቒዖም ነይሮም እዮም።

እቲ ስርዓተ-ሕጊ ንምምላስ ዝተንሰአ መደብ፣ ዝተዓወተ ይመስል። ምኽንያቱ፣ ንግስነት *ሃጸይ-ዳግማይ ኢያሱ*(1729-1753 ዓ.ም.-ባሕረ'ጋሲ ሰሎሞን ኣብ ስልጣን ዝነበረሉ እዋናት-)፣ ከም ዘመነ ሰላምን-ፍትሕን ስለ ዝዝከር። እቲ ንጉስ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝኣወጆ ማዕረን-ፍትሓውን ዝኾነ ስርዓት ኣከፋፍላ ግብረ-መሬት እዩ፣ ንሰብ-ነገር ህዝብታት ዓድ-ሓበሻ፣ ኣቤት ዝበሃለሉ መጸውዒ ሕገ-ስርዓት ኮይኑ ዝመሓላለፍ።

ባሕረ-ነጋሲ ሰሎሞን ግና፣ ከምቶም ዝቐደሙ ቤተ-ሰቡ፣ ናይ ኩናት ተውህቦ ኣይተ-ዓደሎን።

ኣብ «ላስታ» ዝተንሰአ ዕግርግር ንምህዳእን፣ ኣንጻር'ቶም እንደገና እተላዕሉ ጋላ ንምኽታትን ንጉሰ-ነገስት ንምርዳእ ሰራዊት ክልእኽ ዕድመ ብዝተገብረሉ፣ ኣብ ክንዲ ባዕሉ ሰራዊቱ ኣኺቲቱ ናብቲ ኩናት ዘምርሕ፣ ነቲ ድሮ እተጠቕሰ ሚካእል-ስሑል እተባህለ ማእራረ ወድ-ትግራይ፣ ኣዛዚ ናይቲ ሰራዊት ሸይሙ ለኣኾ።

ኣቦን- ሓወቦታትን ባሕረ'ጋሲ ሰሎሞን ይመርሕዎ ኣብ ዝነበሩ ናይ ኩናት ስርሒታት እዩ ሚካእል ስሑል ብወታሃደራዊ ክእለቱ ክብርን-ዝናን ኣትረፉ " ብላታ " ወይ ኣማኻሪ «*እንዳ-ጸዓዚጋ*» ተባሂሉ ነዚ እንዳ'ዚ ከገልግል ጸኒሑ።

ሓደስቲ ዓወታት እንደገና ኣመዝጊቡ፣ መዝነት ኣዛይዱ፣ ሚካእል፣ ኣባላት ደቕ-ትግራይ ዝዓብለልዎን ብኣኡ ዝምራሕን ግዙፍ ሰራዊት ኣቘመ። ነዚኦም ኣኺቲቱ ድማ ንዓድ-ኣምሓራ ኣትዩ፣ ኣብ ተደጋጋሚ ግጥማት ኣብ ላስታ-ዳሞት ንዝተንስኡ ተቓወምቲ ስዒሩ፣ ንእስላም-ጋላ ፋዞግሉ እውን ደፍኦም።

ብድሕር'ዚ ዓወታት፣ ሚካእል ስሑል "*ራእሲ-ትግራይ*" ዝብል ሽመት ደለበ። ብናይ ደቕ-ዓዱ ደሰ-ደስ ድማ፣ ባዕሉ "ተጣባቒ-ንግስነት" ዝብል መጸዋዕታ ንባዕሉ ደረበሉ።

ክንድ'ዚ ዝኣክል ሓይሊ ራእሲ-ሚካእል ግና፣ ን «ሃጸይ-ዮኣስ» ቅንኢ ኣሕደረሉ። ንዓኡ ምዕጋት እውን እቲ ሃጸይ ብሕቡእ ምስ ጋላ ውዲት መኸረ። ራእሲ ሚካእል፣ እቲ ብድሕሪኡ ዝካየድ ዝነበረ ስምምዕ-ውዕላትን ተረዲኡ ንሃጸይ ዮኣስ ካብ ስልጣኑ ኣውሪዱ-ቀንጢጡ፣ ንግማሕነቕቲ ፈረዶ (1768 ዓ.ም.)።

ብ ነጀው-መረብ ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ብድሕር ሞት ባሕረ'ጋሲ ሰሎሞን፣ *ቦኹሩ* እተባህለ ውላዱ እዩ፣ ወራሲ ተባሂሉ ዝነበረ። «ባሕረ-ነጋሲ» ተባሂሉ'ውን ነዚ ጥንታውን-ክቡርን መዓርግ ናይ መወዳእታ ዝለበሰ፣ *ባሕረ-ነጋሲ ቦኹሩ* እዩ።

ከም ዝመስሎ፣ ቦኹሩ እውን፣ ንዕብየት-ስልጣን ናይቲ ቀደም ኣገልጋሊ ስድራ-ቤቱ (ቤተ-ሰብ ጸዓዚጋ) ዝነበረ ራእሲ ሚካእል፣ ኣይኣመነሉን። ብውሕዱ፣ ነቲ ኣገባቡ

ኣይተቐበሎን። ራእሲ ሚካእል ነዚ ተረዲኡ፡ ኣንጻር ቦኽሩ ኸተተ። ኣብ ኩናት ገጢሙ'ውን ምስ ሰዓሮ፡ ካብ መዝነቱ ኣውሪዱ ነቲ ምልክት ስልጣኑ ዝነበረ«ነጋሪት » ቀንጢጡ። ብዘይካ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ሞንን ተከዘ-መረብን ብ «እንዳ-ጸዓዚጋ» ክመሓደር ዝጸንሐ መሬት'ውን፡ ኣብ ትሕቲ ምልኩ ኣእተዎ።

ኣሽሓት ዓመታት ዝዕድመኡ ክብሪ ባሕረ-ነገስታት ብዘይጠቅም ከምዚ'ሉ ምስ ተደፍረ፡ እቲ ሽሙት ከንቱ ኲይኑ ተጸዋዒ ዘይብሉ ተረፈ። ነዚ ድማ ደራኺ ኲይኑ ዘቀላጠፈ ረቛሒ፡ ቱርኪ ንባጽዕ ወሪሮም ኣብ ዝነበርሉ እዋናት፡ ኣብ ገማግም-ባሕሪ ዝነብሩ ህዝብታት ኣብ ምስልምና ኣሚኖም ነቲ ብቱርኪ ኣብ "ሕርጊጎ" ዝቖመ ናይ «ናይባት-ስልጣን» ምስ ተቐበሉ፡ ባሕረ-ነገስታት ካብቲ ምስ ገማግም-ባሕሪ ዝነበሮም ምትእስሳርን-ዝምድናን ተነጺሎም ብምጽናሖም እውን፡ ዓቢ ግደ ተጻዊቱ እዩ።

"ምድረ-ባሕሪ" ክምዚ'ሉ ምስ ተበታተነ፡ እቶም መራሕትን/ሃይማኖታዊ እምነትን ለዊጦም ካብቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ምትእስሳር ንመጀመርያ እተፈለዩ ህዝብታት፡ እቶም ንጥንታዊ ቋንቋ-ግእዝ ዝወሓደ ለውጢ ገይሮም ብዝያዳ ዝዓቀብዎ ትግረ ዝዛረቡ ህዝብታት እዮም። ብግብር'ውን ቋንቋ-ትግረ ብቀረባ ምስ ቋንቋ-ግእዝ ስለ ዝዛመድ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ካህናት ክይተረፉ፡ ኣብ ሓባብ-መንሳዕ፡ ኩታ ኣብቶም ካብ ከበሳ ወጺኢ ኣብ ሰሜን ዝቕመጡ ህዝብታት እናመጹ-እናተመላለሱን እዮም ነቲ ሃይማኖታዊ-ቋንቋ ክፈልጡን ክመልኩን ጸኒሖም።

§. 11 - መረብ/ምላሽ።

ካብቲ በብቑሩብ እናተዳኸመ ዝመጸ ጥንታዊ ምድረ-ባሕሪ ኣስዒብና ከም እንርድኦ (ዋላ'ውን ብ ከምቲ እተጠቕሰ ኣገባብን-ብዘይድልየቱን፡ ብተወሳኺ እውን ብዘይካ'ቲ ዝውንኖ ገማግም-ባሕሪ ክነብር ስለ ዘይክኣለን)፡ብስምዒት/ ቁጠባዊ ጸገማትን ተዋጢሩ፡ መረብ/ምላሽ እዩ ንውልቂ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ፖሊቲካዊ-ስርዓት ኲይኑ ዝተረፈ።

ውድዓዊ ምኽንያት ናይዚ ጽሑፍ'ውን ንባዕሉ፡ ንሱ እዩ ኣርእስቲ፥ *መረብ/ምላሽ*።

ኣብ ሞንጎ እንዳታት *«ጸዓዚጋ»«ሃዚጋ»* ናይ ዝምድና ምትእስሳር ድኣ ይጽናሕ'ምበር ሓያል ውድድር'ውን ስለ ዘይተሳእነ፡ ራእሲ-ሚካእል ስሑል ምስ ከንቲባይ-*ቃለተ* በዓል-*ሃዚጋ* ሓቢሩ እዩ ንባሕረ'ጋሲ ቦኽሩ ጸሚድዎ።

ጀይምስ ብሩስ ከም ዝገልጾ፡ ራእሲ-ሚካእል ኣስዒቡ ንደቅ'ቶም ናይ ቀደም ጕይቶቱ (እንዳ ጸዓዚጋ) ውርሻ ኣቦታቶም ስለ ዝፈለጠሎም፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-*እንዳ* ዝጸንሐ ምትህልላኽ ኣብ ዘይወጽእ ጽልኢ ኣሰጊርዎ ከም ዝጸንሐ ይጠቅስ።

ከምቲ ኣብ ካልኣይ-ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኣስዒብና እነብርሆ፡ ብሰንኪ እዚ ጽልእ'ዚ እዩ *መረብ/ምላሽ* ደጊም፡ በዞም ክልተ-እንዳ ተመሪሑ ኣብ ክልተ ዓውዲ ምስ ተኸፍለ(ዋላ'ውን ናይ ባዕዲ ሓገዝ ዘይተሳእኖ)፡ ኣብ ሕሱም ኩናት ሓድ-ሕድ ኣድ-ሂቡ።

እተባህለ ውሽጣዊ ምስሕሓብ ግን፡ *ግብጺ*፡ «ከረን» ኲሎ «ዓድ-ቦጎስ» ክወርር ድኣ ደገፈ እምበር ነጻነት ሃገር በቶም ብ "ኸሌው-መረብ" ዝነብሩ ህዝብታት ክድፈርሲ ኩቶ ኣይፈቐደን።

ንኣብነት፡ ብ 1875 ዓ.ም. *ራእሲ-ወልደሚካኤል* በዓል *ሃዚጋ* (እቲ ተጻራሪኡ ዝነበረ *ደጊያት-ሃይሉ* በዓል ጸዓዚጋ ብዝሞተ) ጕይታ መረብ/ምላሽ ተሰምዩ፡ ኣለው ካብ ዝበሃሉ ደቅ-ሃገር ጠርኒፉ፡ ምስ ሰራዊት-ግብጺ ሓቢሩ ኣብ ጉራዕ ኣንጻር ሃጼ-ዮሃንስ ብጅግንነት ከም ዝኸተተ ይፍለጥ። ሰራዊት ግብጺ ምስ ተሳዕሩ'ውን፡ ራእሲ ወልደሚካእል(ወለንኪእል) ነቲ«ሹም-ነጋሪት»ተባሂሉ ወታሃደራዊ-ኣዛዚ ኣብ መረብ-ምላሽ ተሸይሙ ሃጼያዊ-ሰራዊት ዝመርሕ ዝነበረ *ራእሲ-ኣሉላ* ብዘይ ዕርፍቲ እዩ ኣብ ናይ ድባይ-ኩናት ጸሚድዎ።

እዚ ዕርፍትን-ቦታን ዘየላወበ ቃልሲ፡ ንሃጼያዊ-ሰራዊት ዘኸተሎ ክሳራ ንምርዳእ፡ ብወግዓዊ ሰነዳት ከም ዝግለጽ፡ እቲ ሃጼይ ን"ጎርዶን-ፓሻ"(ጠቕላሊ ኣመሓዳሪ ሱዳን)

ንራእሲ ወለንኪኤል እንተድአ ኣብ ኢዱ ኣስተሊምዎ፡ *መሬት ሓማሴን ብምሉኡ* ንግብጺ ክወፍዮ ምዃኑ ዝብል ሓሳብ ከም ዘቕረበሉ ይፍለጥ።(4)

ኑቶም ብ " ከኤው-መረብ " ዝነብሩ ህዝብታት ግን፡ «ሓማሴን» ክበሃል እንከሎ፡ እንታይ ምዃኑ ትርጉሙ ኣስዒብና ክንርዳእ ኢና።

ራእሲ ወለንኪኤል፡ ኣብ ልዕለኡ ዝሕፈስ ዝነበረ መጻወድያ-ውዕላትን ተገንዚቡ፡ ወለቕ-ዘለቕ ፖሊቲካ-ግብጺ እውን ስለ ዘጠራጠር፡ ብራእሲ-ኣሉላ ኣቢሉ ምልኪ ሃጼ-ዮሃንስ ንምእማን፡ ኢድ ምንሳእ መረጸ። ተበግሶኡ ቅቡል ምስ ተባህለ ድማ፡ ኩሉ ምጥርጣራት ንወገን ገዲፉ፡ ሓለዋ ዘንጊዑ፡ ኣብቲ ንምትላሉ በዓል-መስቀል ንምብዓል እተገብረሉ ዕድመ ኣኽቢሩ ብምኻድ፡ ባዕሉ ኣብ ኢድ ንጉስ ተረኪበ።

ከምዚ'ሉ ራእሲ ወለንኪኤል ብረቱ ተቐንጢጡ ተመቕሒሑ'ውን ብ 1879 ዓ.ም. ኣብ ሓደ እምባ ተሓየረ።

ኣብታ መዓልቲ እቲኣ እዩ ድማ፡ ወራሲ ናይቲ ጥንታውን-ዕውትን ምድረ ባሕሪ ዝኾነ መረብ/ምላሽ ርእሰ-ምምሕዳሩ ኣብቂዑ፡ ንዓሰርተ-ዓመት መመላእታ (ማለት ክሳብ ወርሒ ነሓሰ 1889 ዓ.ም. ሰራዊት-ኢጣልያ ኣስመራ ዝኣተወሉ እዋን) ወራር ትግራይን- መግዛእቲ ናይቲ ንወለንኪኤል ክዲዑ ራእሲ እተሸመ ኣሉላን፡ ክጻወር ተገዲዱ።

ኢጣልያ ንመረብ/ምላሽ ብከመይ ከም ዝወረረ ኣድቂቕና ንምምርማርን- መንፈስ ናይቶም ግዝኣት-ኢጣልያ እተቐበሉ ህዝብታት፡ ብቕኑዕ ኣገባብ ክንመዝንን-ክንርዳእን እውን ኣድላዪ ኣስተምህሮታት ዘበርክት ታሪኽ ብምዃኑ፡፡ ኣብዚ፡ ሓንሳብ ምዕራፍ ኣድላዪ ይኸውን።

ሃጸያዊ-ስልጣን፡ ግዝኣቱ ኣብ መረብ/ምላሽ ንምርግጋጽ ክቢድ ዋጋ ድኣ ይኸፈል እምበር፡ ህዝቢ ናይዚ ሃገርሲ ኑቲ ኩነታት ትም ኢሉ ኣይተጻወሮን። ንኣብነት፡ *በላም-በራስ-ክፍለየሱስ* ሓደ ካብ ተኸተልቲ ራእሲ ወለንኪኤል፡ ውሑዳትን-ጀጋኑን እሙናት ወታሃደራት ኣኸቲሉ፡ ካብ ኣርዑት ትግራይ ክምልጥ ክኢሉ፡ ኣብ ህዝቢ-ሓባብ እዩ ተዓቚቡ ጸኒሑ። ክምኡ'ውን እቲ ኣብ ኣከለ ጉዛይ ዓቢ ዝና ዝነበሮ *ደጊያት ባህታ ሓጎስ*።

ኣብቲ እዋን'ቲ እዩ ሃጸይ-ዮሃንስ ንኩሎም'ቶም ብ«*ኑጀው-መረብ*» እተመለኹ ህዝብታት፡ ሰዓብቲ ናይቶም " ኣቡናውያን " ዝበሃሉ ጉጅለ ሃይማኖት-ተዋህዶ ክኾኑ ዘገድድ ኣዋጅ ኣዊጁ። እዚ ንኹሉ ዘቐየመ ትእዛዝ ግን፡ ኑቶም ብብዝሒ ኣብ ሰራየ-ሓማሴን ዝነብሩ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ጀበርትን ኣብ ኣከለ ጉዛይ ዝነብሩ ካቶሊክን እዩ ብሕልፊ ጐዲኡ።

እቲ ካብ ጥንቲ ተለሚዱ ዝጸንሐ ሃይማኖታዊ ሓርነትን-ኣብ ኣእምንትካ ምጽውዋርን ዝኣመሰለ ስርዓት ከምዚ'ሉ ምስ ተደፍረ፡ ገለን ዓድታቶም ለቒቖም ኣብ ጎማግም-ባሕሪ ምዕቋብ እንኪመርጹ፡ ገለን ድማ እምነቶም ዝለወጡ ንምምሳል፡ ምልክት ናይቲ ብኣስገዳድ ሓደስቲ-ጐይቶት እተዋህቦም ሃይማኖት ዝሕብር «ሰማያዊ-ማዕተብ» ኣብ ክሳዶም'ኳ እንተኣሰሩ፡ ብመንፈስ፡ ሃይማኖቶም ዓቂቦም ምስቶም ነዚ ዝደፈሩ፡ ዘይወጽእ ጽልኢ ኣሕደሩ። ብተወሳኺ'ውን፡ ኣብ ልዕሊ ብባህሉ ኣባታውን-ደሞክራ-ሲያውን ዝጸንሐ ሃገር፡ ኣብ ንዕቀት-ኣስገዳድ-ያዕያዕን እተመስረተ ዘሰክሕ ባዕዳዊ ወታሃደራዊ-ግዝኣት ምትእትታው፡ ኑቲ እተተኸለ ጽልኢ፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣጻበቦ።

ንተጻራርነት ናይዞም ክልተ-ህዝብታት እንደገና ከም ባህርያዊ ሳዕቤን መመሊሱ ዘኸረረ ድማ፥

1)- እቲ ንንጉስ ተባሂሉ ዝኸፈል ግብሪ፡ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ምውሳኹ -

2)- ቀለብ ወራር-ሰራዊት ዝኸውን «ፈሰስ» እተባህለ ተወሳኺ ግብሪ፡ ደቀ'ባት ክጻወርዎ ስለ እተገደዱ -

3)- ናይ ሕጊ-ብልሽውና ምትእትታው -እዮም ንህዝብታት መረብ/ምላሽ ምስቶም ብኪኖኡ ዝመጹ ህዝቢ-ትግራይ፡ ከም ደቅ-ዓዲ ወይ ከም ደቅ-ሃገር ከይሓብሩን-ከይወሃሃዱን ዝዓገቱ ጠንቅታት።

ድምር ናይዝ'ኩሉ ረቛሒታት እዩ'ውን ንቲ ን«ከረን»ገጹ ኮን/ ናብቲ ብግብጺ ተወረሩ ዝጸንሐ ገማግም-ባሕርን ዘምረሐ ስደት ደሪኽዎ።

ኢጣልያ፡ ንግብጺ ተኪኡም ባጽዕ ብዝሓዙ፡ እቲ ዋሕዚ ስደት ክሰፍሕ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ንቲ ብራእሲ-ኣሉላ ዘጋጠሞም ስዕረት"ተድዓሊ"(ዶጋሊ) ሕነ ክፈድዩ ኣብ ዝተበገሱሉ እዋን፡ እቲ ጉዳይ ስደት ኣብ ዝለዓለ ጫፉ እዩ ጸኒሑ። ካብዚ ንባጽዕ-ገጹ ዝወሓዘ ህዝቢ መረብ/ምላሽ እዩ ንቲ ኣኽቲሉ ዝሰዓበ ናይ ኢጣልያ ምስፍሕፋሕ ዓቢ ደገፍ ዘበርከተ ትካል ክቝውም ክኢሉ። ብዛዕባ'ቶም ኣብ ጕላጉል ሕጡምሎ እተኸትቡ ሰራዊት ደቀ'ባት (ዓስከር) እዩ ዝዋቀስ ዘሎ።

እቲ ነዚ ተርእዮ'ዚ ብሰፊሕ ኣረኣእያ/ልቦና/ናይ ህዝብን-ሃገርን ኣፍልጦ መሊኹ ዝመሃዘ፡«ጀነራል-ባልዲሰራ» እዩ። ብደስታን-ክኢላ ምትሕብባርን-ዘይደከም ሓልዮትን፡ ኣብ ግብሪ ዘውዓለ ድማ፡ ናይ ሽው ማጆረ ሎም ግን "ጀነራል" ዘበለ «ዲ-ማዮ» እዩ።

ጀነራል-ባልዲሰራ፡ ውሩያት ዳህሰስቲ ካብ ዝጸሓፍዎ ጽሑፋት፡ ዝኣክል መጽናዕትን-ምርመራን ብምኽያዱ፡ ብዛዕባ ኩነታት ናይዚ ሃገር፡ እኹል ኣፍልጦ ዝመለኸ እዩ። እዚ ጽሑፋት'ዚ ግና፡ ንቶም ኣብ ጉዳይ-ኤርትራ ዓቢ ተራ ዝነበሮምን- ባልዲሰራ ኣመሓዳሪ(ጎቨርናቶረ) ኣብ ዝነበረሉ እዋናት ድማ ብዙሕ ማሕለኻ ዝፈጠርሉን ሰበ-ስልጣን ኢጣልያ፡ ተሰዊርዎም እዩ ዝነበረ።

ባልዲሰራ፡ እቲ ናይ «ሓበሻ-ብሄራውነት» ዝብል ኣምር፡ ግሩም ጽውጽዋይ ምንባሩ ኣይሰሓቶን። ስለዚ'ውን፡ ትዕቢት ሃጸይ-ዮሃንስ ኣብ ዕርድታት "ሰሓጢት" ምስ ፈሸለ እቲ ዝበረሰ ክብሪ ድማ፡ ብቐሊሉ ኣብ ልዕሊ «ድርቡሽ» ክርከብ ካብ ዝኽእል ዓወት ንምርግጋጽ፡ ንምዕራብ-ገጹ ምጉያይ መረጹ ንመረብ/ምላሽ ለቒቑ ምስ ወጸ፡ ባልዲሰራ ከይዘንግዐ እዩ ንቶም ስደተኛታት ኣብ ትሕቲ-ጽላል ባንዴራ ኢጣልያ ጠርኒፍዎም።

እቶም ብረት ምልዓል ንበቕዕ ኢና ዝበሉ ሓደ ክፋል ህዝቢ-መረብ፡ ኣንስቶምን-ደቆምን ኣኽቲሎም ኣባና (ኢጣልያ) ምስ መጹ፡ ንወታሃደራዊ-ስርሒት ኮን/ ኣብ ከበሳ ንዘድሊ ስለያ ኣብ ዝወፈርሉ፡ ብእምነት እዮም ቤተ-ሰቦም ዘማሕጽኑና ነይሮም። ብዘይካ ፍታው ደቀ'ባት ድማ፡ ካብዚ ዝበልጽ ኣገባብ ህዝባዊ ምርጫ፡ ብትምኒት'ውን ክርከብ-ክረጋገጽ ኣይምተኻእለን።

ካልእ ክርሳዕ ዘይግባእ ነገር፡ ጊዜኡ ኣኺሉ ንከበሳ ምድያብ ኣድላይ ምስ ተባህለ፡ እዞም ሓደ እዋን ንጕላጉል-ሕጡምሎ ሕብርን ምልኣትን ዘልበሱ ኣሽሓት ሰባት እዮም ቅድመ-ግንባር ኮይኖም መሪሖምና ኣትዮም። ብኣወንታ ይኹን ብኣሉታ ክግመት ዝከኣል (እነ ግን፡ ኣወንታዊ ዝብሎ)፡ ዋላ'ውን ስድራ-መሬት ንምርግጋጽ፡ ሓንቲ ጥይት'ኳ ትኹን ከም ዘይተኰሰና ንዋቕምና(ኢጣልያ) ክንርስዖ ዘይግባእ ሓቂ እዩ።

ወራራትና ብብረት ኣይኰነን ተኻይዱ። ብፍትሕን- ሰብኣዊ ርህራህን- እቲ ምዕቡል ናይ ኤውሮጳ ስልጣነ ብዘቐደሞ ኣስተምህሮታት እዩ ክዕወት ክኢሉ።

ኣብ መረብ/ምላሽ፡ ሰላም- ስርዓት- ምትእምማን- ንምውሓስ፡ ከም እሕዋት-ፈተውትን ኢና ኣቲና። ደቀ'ባት'ውን ንቲ ሓደገኛ ኩነታት እናተጻወሩ እዮም መሪሖምና። ስለዚ ድማ፡ ኩነታት ከባብን- ባዕላዊ ድልየት ደቀ'ባትን እዮም ንዶባት ግዝኣትና ክሳብ ደረት ወሓይዛት መረብ- በለሳ- ሙና ክብጽሑ በቒዖም።

እዚ እንተዘይከውንከ ? ተወሃሂዱ ዝጸንሐ ሃገር ክመይሉ ኣብ ክልተ ምተመቕለ ? ዝብል ሕቶ'ውን መልሲ ዝሓትት እዩ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ንቲ በቶም ኣብ ትሕቲ ንጉሳዊ-ስልጣን ክኣቱ እተባህለ በዚ ወገን'ዚ ዝርከቡ ህዝቢ ብተደጋጋምን- ግሉጽን ዝቐረበ ተቓውሞታት ኮን/ ንገዛእ ርእሱ ንቲ ወታሃደራዊ ወራር-ናይ ሓይሊ ምልክን፡ ትም ኢልካ ምዕዛብ ምኾነ ነገሩ።

ብመሰረት ናይቲ ብ 1892 ዓ.ም. ካብ ሮማ ዝመጸ ትእዛዝ፡ ኣብ ኩዶፈላሲ ዓሪዱ ዝነበረ ቦጦሎኒ ደቀ'ባት ይሳሓብ ምስ ተባህለ፡ እንታይ ከም ዘኸተለ ዘይርሳዕ ዝኾረ

እዩ። እቶም ኣብ ትሕቲ ትእዛዝ «ማጆረ- ቦስኮ ዲ ሩፊኖ» ንዳርጋ ሓደ-ዓመት ዝኸውን ኣብኡ እተመደቡ ሰራዊት ደቀ'ባት ዝሃነጽዎም ኣባይትን-ዘልምዕዎ መሬትን ንሕልሚ እውን ድስኩል ዝኾነ ሓንጎል ክርእዮ ዝኽእለ ሰጣሕ ጐላጉል ለቒቖም ምስ ወጹ፣ እቲ ቦታ ብኡንብኡ እዩ ምድረ-በዳ መሲሉ። እቶም ደቅ-ሃገር፣ ውሑድ ናውቶምን-ጥሪቶምን ጠቕሊሎም፣ እንደገና ንስደቶም፣ ንውሽጢ ናብቲ ኣብ ሞንጎ ስለ ዝርከብ፣ ፖሊቲካውን-ስትራተጅያውን ውሕስነት ዝነበሮ ስሉስ-ኩርናዕ ኣስመራ- ባጽዕ-ከረን ድኣ ተጓዕዙ።

እወ፣ ኣብ ክንዲ መማዝእቲ ናይቶም ብ« ክኤው መረብ» ዝመጹ ኣብ ኢውሮጳ ድማ ብጌጋ ኣሕዋት ወይ ደቅ ሓደ-ሃገር እዮም ተባሂሉ ዝእመን ዝነበረ፣ እቲ ህዝቢ፣ ስደት እዩ መሪጹ (5)።

§.12 - ርእሰ-ምምሕዳር መረብ/ምላሽ ክመይ'ሉ ምዕቃቡ ተኻኢሉ ?

ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይ ፖሊቲካዊ ሓድነትን- ርእሰ ምምሕዳር ናይዚ ዞባን፣ ብዝኣክል ተመስኪሩ እዩ። እቶም ነዚ ተርእዮ'ዚ መንቀሊ ዝኾኑ ኩነታት፣ ክም ፍሉይ ኣርእስቲ ኣብዚ ምዝርዛርም'ኒ እንተ ዘይተኻእለ(ካብ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ ክይነርሕቕ ንማለት) ንዝስዕቡ ኣርእስታት ብግቡእ ንምርዳእ ስለ ዝድግፉ፣ ብሓጺሩ ምጥቃሶም ክድሊ እዩ።

ብርእይቶይ፣ንመረብ/ምላሽ ፍሉይ እንታይነት ኣልቢሶም ካብ ዝበሃሉ ረቛሒታት፣ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ እዮም ወሳኒ ግደ ተጻዊቶም፥

1)-ካብ መላእ'ቶም ኣብዚ ክባቢ ዝርከቡ ኣውራጃታት ዝፈሊ፣ ጆግራፍያዊ ሰረት ምህላው -

2)-ብሓቲ ይኹን ብሃሜን ዝእመን፣ ዓሌታዊ-ሓድነት ናይ ዝቕመጥዎ ህዝብታት -

3)-ኣብ ጥቓ-ባሕሪ ስለ ዝርከብ ድማ፣ እዚ ዞባ'ዚ ብቐጻሊ፣ ርክቡ ምስ ካልኦት ህዝብታት ብፍላይ ድማ ምስ ህዝብታት ኢውሮጳ ብዘይምቁራጹ እዩ።

እቲ ቀዳማይ ነጥቢ፣ እንባቢ ነቲ ምስ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ተተሓሒዙ ቀሪቡ ዘሎ ጆግራ-ፍያዊ-ስእሊ ወይ ድማ ንመሬት ክረን ኩነ/ ንገማግም ባሕሪ ዝምልከቱ ካልእ ስእለ-መሬት ምስ ዝምርምር፣ እዚ ኣርእስት'ዚ ክሳብ ክንድ'ቲ ምግላጹ ኣድላይ ክም ዘይ-ኮነ ብቐሊሉ ይርዳእ። ምኽንያቱ፣ ካብኡ ክም እንግንዘቦ፣ እቲ ብጥንቲ መረብ/ምላሽ ተባሂሉ ዝስመ መሬት፣ ንበረኸቲ ሰለስተ-ኣፍላጋት ማለት መረብ- ባርካ- ዓንሰባ/ ንምሉእ ጉዕዞ ፈለግ-ዓሊገዶን እዩ ዘጠቓልል።

ምንጪታት ወይ ዓይን-ማይ ናይ እተጠቕሱ ኣፍላጋት፣ እተቐራረቡ ኮይኖም፣ ኣብቲ ሓማሴን ዝበሃል ማእከላይ-እውራጃ ይርከቡ። ኣብዚ እዩ'ውን እቲ ልምዳዊ መናበረ-ቦታ ናይቲ ዝለዓለ "ፈደራላዊ-ስልጣን" ዝነበረ።

ዓሌታዊ ሓድነት ህዝብታት መረብ/ምላሽ ንዝምልከት'ውን፣ ሰዒቡ ብዝያዳ ክበርህ ስለ ዝኾነ፣ ንግዚኡ ብዙሕ ከየናዋሕና፣ እገደስቲ ነጥብታቱ ንመልከት፥

-ሓቅነቱ እዚ እዩ'ኳ ክበሃል እንተዘይተኻእለ፣ መብዛሕትኡ ህዝቢ መረብ/ምላሽ፣ ካብ'ቶም ንሃጸይ-ምኒሊክ ወድ-ሰሎሞን/ ንግስቲ ኣዜብን፣ ኣብ ንእስነቱ ስርዓተ-ትምህርቲ ንምኽታል፣ ናብ ንግስነት-ኣቦኡ ተላኢኹ ድሕሪ ምጽናሕ ንኢትዮጵያ እንኪምለስ ካብ ዘሰነይዎ "እብራይስጥ" ምኺኑ ነገዱ ይኣምን-።

ሓቅነት ናይዚ ዛንታ'ዚ ብዘየገድስ፣ በቶም ህዝብታት ብሓባር ስለ ዝእመን/ ዞባኣዊ ምክፍፋል ኣውራጃታትን/ኣብ ሞንጎ ወረዳታት ንሓድሕዶም ኩነ- ኣብ ሞንጎ ዓድታት ዘሎ ዝምድና/ በዚ ተመሪሑን ተቐይዱን ስለ ዝውሰን፣ ክንዓቕ ዘይግብእ ዛንታ እዩ።

እዚ ኣሰር'ዚ ተኸቲሉም፡ ብኹሉም ህዝብታት ናይዚ ዞባ፡ ንዝኸረ ናይቲ ዓሰርተው-ክልተ ነገድ-እስራኤል ዝፈረየ፡ ብ «*ደቂ-ያቆብ*» ዝብል ናይ ሓባር መጸዋዕታ ምልላይ ይመርጹ።

ብዝኾነ ከኣ፡ ካብ ዘዘውትርዎ ቋንቋ ኮነ/ ዝኸተልዎ ሃይማኖት/ ዝበዝሐ ማሕበራዊ ትካላቶም/ነጺሩ ከም ዝርእ፡ኣማን-ብኣማን *ሰማውያን-ህዝብታት* ምዃኖም ኣየጠራ-ጥርን።

እዚ ግን፡ ንመረብ/ምላሽ ጥራሕ ዝምልከት ፍሉይነት ኣይኮነን። ኣብ ሞንጎ መረብን-ተከዘን ዝርከብ መብዛሕትኡ ህዝቢ'ውን፡ ተመሳሳሊ እዩ መበቆሉ። እቲ ንመረብ/ምላሽ ፍሉይ ዝገብሮ ግና፡ ሓበንን-ዝኽረን ናይዚ መበቆል'ዚ፡ ብዘይምቁራጽ ስለ ዝዝረበሉ እዩ። ኣብ ዘዋግዕሉ'ውን፡ ናይ ብሓቂ እንተድኣ ኮይኑ፡ ነዚ 3000 ዓመት ኣቢሉ ዝኾነ ዛንታ፡ ከም ቀረባ-ሕሉፍ ገይሮም የዕልልዎ።

ከምዚ'ሉም፡ ኣብ ማእከል ሓማሴን ኣብ ጎማግም " ማይ-በላ " ብጻዕዳ-ክርስትያን ዝሓልፍ ሓደ ካብቶም ምንጭታት ፈለግ-ዓንሰባ (ዓይኒ-ሳባ)፡ ንግስቲ-ሳባ ወይ ኣዜብ ንምንሊክ ወድ-ሰሎሞን ዝወለደትሉ ቦታ የመልክቱ።

ከምዚ'ሉም ድማ እቶም ቀንዲ «እንዳታት» ዋላ'ውን ብናይ ፈጠራ ፍቕዲ-ወለዶ፡ ክሳብ'ቶም ጽሑፍ ሕገ-ሙሴ ሒዞም ካብ የሩሳሌም ንኢትዮጵያ መጺኦም፡ ንቲ ኣብ ልዕል ገበል (ኣርወ) ዝነበረ እምነት፡ ብናይ " ኣሃዱ ኣምላክ " ተኪኦም ዝበሃሉ ደቂ-ያቆብ ምጽብጻብ ኣየሸግሮምን።

እዚ ከም ክውን ዝውሰድ ናይ ሓባር መበቆል፡ ካብቲ ንብዙሓት ጉዳያት ኤውሮጳ ዝጸሉ ናይ«ላቲን» ዓሌት ኢና ዝብሉ ሃገራት፡ ኣይፍለን ጥራሕ ዘይኮነ፡ እቲ እምነት ኣብዚ እዝዩ ጥንታዊ ብምዃኑ፡ ብዝያዳ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግብኦ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ሳልሳይ ነጥቢ፥

ኣብ ጎማግም-ባሕሪ ስለ ዝርከብ፡ ብኣንጻር'ቲ ንካልእ ክፍልታት ኢትዮጵያ ዘጋጠመ ምንጻል፡ መረብ/ምላሽ ካብቶም ንመላእ ዓሌት ወድ-ሰብ ዘንቀሳቕሱን ዝመርሑን ዓበይቲ ፍልስፍናታት ኮነ/ ካብቲ ምዕቡል ዝበሃል ክፍለ-ዓለም ዝምድናኡ ዝበተኸሉ እዋን ኣይዝከርን።

ሃይማኖት-እስላም፡ዋላ'ውን እቲ ናይ ምዝውታሩ ኣገባብ ብናይ "መካ-ሸኻት" ዘይ-ድገፍ እንተኾነ፡ ኣብዚ ዞባ'ዚ፡ እሙናት ሰዓብቲ ይርከብዎ። ሃይማኖት ካቶሊክ እውን፡ ብሕልፊ ኣብ ኣከለ ጉዛይን/ኣብ ህዝቢ ቦጎስን፡ ብእዋኑ እዩ ተዘርጊሑ።

ኤውሮጳውያን-ዳህሰስቲ፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ገይሾም፡ ጸገም ኣይረኸቡን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሓድ-ሓደ ካባታቶም ንኣብነት ከም ኢጣልያዊ " ሪጸ " ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ዘመነ-ደጊያት ውቤ/ ደጊያት ንጉሰን፡ ስልጣን ተዋሂብዎም፡ ሹማምንትን/ ሓለፍቲ ህዝባውያን ኣብ-ያተ-ጽሕፈትን ዝዳረጉ መዓርግ ተፈቒዱሎም እዩ።

ስለዚ ኩሉ ረቋሒታት እምበኣርከስ፡ ኣብ መረብ/ምላሽ፡ ምቁር ባህልን- ንኤውሮ-ጳውያን ብኣንጻርነት ዘይምርኣይን ንልኡል ስልጣኖም'ውን ብኣኽብሮት ምእማን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ሃይማኖት ንዝምልከት፡ ኣብነታዊ ምጽውዋር ዝኣመሰሉ ክብርታት ከም ልምዲ ምዝውታሮም፡ ዘገርም ኣይከውንን።

ኩሉ'ዚ ረቋሒታት እዩ 'ከስ ኣብዚ ሃገር፡ ንትዕቢት-ሓርፋፍ ጠባያትን ህዝቢ ትግራይ ኮነ/ ንቲ ብናይ " ነሮን " (ጥንታዊ ንጉስ ሮማ) ዝመስል ኣገባብ *ተድሮስ- ዮሃንስ* ዘውጽእዎ ኣዋጃት መሰረት ኣቢሉ ኣብቶም ህዝብታት " ከኤው መረብ " ዝተኣታተወ ሃይማኖታዊ ድርቕና፡ ከም ተጸላእን- ዘይጽወርን ገይሩ ዘረሓሓቖ።

ስለዚ እዩ'ውን ኣብ *መጀመርታ*፡ ህዝቢ *መረብ/ምላሽ* ብናይ *ሃጼይ-ዮሃንስ* ናይ ምስፍሕፋሕ ሀርፋን፡ ነጻነቱ ኣብ ሓደጋ ምእታው ምስ ተገንዘበ፡ ምምሕዳር መንግስቲ-*ግብጺ* መሪጹ። ግብጺ ድማ ከይተደናጉየ ነቲ ጠለብ ተቐቢሉ ን *ወለንኪኤል* በዓል *ሃዘጋ «ራእሲ»* ዝብል ሽመት ሸይሙ- ግዝኣቱ ኣብ *መረብ/ምላሽ* ኣሚኑ- ወርቂ ኣኸሊል ከም ምልክት ስልጣን ኣወፈየሉ።

ሰዓቡ'ውን ግዝኣት ግብጺ ብዘብቅዐ፡ *መረብ/ምላሽ* ኣባና ኣብ ኢጣልያ ኣበለ።

ኣቐዲምና ከም ዝጠቐስናዮ፡ ኣብ ጥንቲ እቲ *ገማግም-ባሕሪ* ኣስዒቡ ድማ እቲ ሎሚ ኣብ *ምምሕዳር ከረን* ዝርከብ መብዛሕትኡ ክፍለ-መሬት፡ ብ *ባሕረ-ነጋሲታት* ዝመሓደር ኣካል ምድረ-ባሕሪ ከም ዝነበረ ተገንዚብና ነይርና።

ምስፍሕፋሕ ምስልምና- ባዕዳዊ መግዛእቲ- ምትእትታው ሓደስቲ ህዝብታት-፡ ኣብ ባህርን/ጠባያትን ናይዚ ሃገር'ዚ ብዝኸተልዎ ለውጥታት፡ እቲ ገማግም-ባሕርን/ መሬት ከረን፡ ምስ መረብ/ምላሽ ዝነበሮም ሞራላዊ-ምትእስሳር ተዳኺሙ ድኣ ይበሃል እምበር እቲ ዝምድናስ ፈጺሙ ኣይተበተከን። ካብ ኩሉ ድማ ኣብ ተጻራርነት ኣይሰገረን።

ኣብዚ ብብዝሒ ሃይማኖት-ክርስትና ዝንብለሎ ሃገር ዝነብሩ ህዝቢ፡ መነባብሮኦም ቅውም ኮይኑ፡ ኣብ ማሕረስ እዩ ዝምርኮሱ። ቋንቋኦም፡ ትግርኛ ይበሃል። ማሕበራዊ-ቅርጺ ናይዚ ዞባ'ዚ፡ ካብቶም ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ኣብ ገማግም-ባሕሪ/ ከባቢ ከረን ዝነብሩ ህዝብታት፡ እተፈለየ እዩ።

ኣብዘን ስዒበን እተጠቕሳ ክልተ ኣውራጃ ዝርከቡ ህዝቢ፡ እናሳገሙ ብመጓሰ ይነብሩ። ልምዳዊ-ቋንቋኦም፡ እቲ ብዝያዳ ንጥንታዊ-ግእዝ ዝዛመዶ፡ ቋንቋ-ትግረ እዩ።

ሎም ግን፡ ካብ ጥንታዊ መጸዋዕታ ናይቲ *ባሕረ-ነጋሲታት* ዘመሓድርዎ ዝነበሩ *ባሕሪ-ኤርትራ*፡ እቲ ብሉጽ ምዕራባዊ-ወረዳ «ታካ» ወይ "መሬት ከሰላ" ኮነ/ እቲ ካብ «ራስ-ቂሳር» ክሳብ «ስዋኪን» ዘሎ ክፍለ-ሃገርን/ ብዘይግባእ ተገሚያም ድኣ ይትረፉ'ምበር- ኤርትራ ተባሂሉ፡ ፖሊቲካዊ-ሓድነት ምድረ ባሕሪ፡ ዳግም ኣብ ህንጻ ይርከብ።

መግዛእቲ-ኢጣልያ ዘውሕሶ ክብርታት /ሰላም/ ፍትሒ/ ምዕባለ/፡ ምስቲ ምእንታና እናተዋግኡ ፍታዎም ዝገለጹልና ናይ ሓባር ድልየት ደቀ'ባት ተዛሚዱ፡ ሞራላዊ-ሓድነት ናይዚ ሃገር'ውን፡ እንደገና ክሀንጽ ምኽኑ ኣየጠራጥርን።

ከምዚ'ሉ፡ ኣብ ክፋል ከበሳታት-ኢትዮጵያ/ ኣብ ከባቢ ኣስመራ/ ማለት ኣብቲ ኣፍላጋት- *ባርካ- ዓንሰባ- መረብ- ዓሊ ገዶ*-ዝምንጭወሉ በረኽቲ፡ ካብቲ ቅድሚ 30 ክፍለ-ዘመናት ኣቢሉ ኣብቲ ንሕና ኤርትራ ኢልና እንሰምዮ *ሃገረ-ባሕሪ* ወይ *ምድረ-ባሕሪ* ናይ ዝነብሩ ህዝብታት ርእሰ-ነገድ ዝኾነ "ህዝቢ ግእዝ" ዝወልዶ መብራህቲ፡ ካብኡ ዝያዳ ዘብርህ-ሽግ ዳግም ክንውልዕ፡ ግዴታና እዩ።

ምልክታተ

(1)- ባራጋዛ፡ ዘይቅንዕ ኣጸሓሕፋ ባሕረ-ኣግኣዚ ከይከውን ኣይተርፍን።

(2)- "ኣልቫረጽ" ከም ዘዘንትዎ፡ ብ 16 ሚያዝያ 1520 ዓ.ም. ሓደ ግዙፍ ናይ «ፖርቱጋሎ» ሰራዊት ኣብ ባጽዕ ምስ ዓረፈ፡ «ባርናጋሶ» ጐይታ-ባሕሪ፡ ብዙሓት ሰብ-ስልጣን ኣኸቲሉ ኣብ ፈረስ ተወጢሑ ምስ መራሒ ናይተን መራኽብ ከም እተራኸበን፡ ባርዋ ወይ ባራ፡ ርእሰ-ከተማ ባርናጋሶ ከም ዝነበረ'ውን ይጥቀስ።

(3)- ደባርዋ ዝብል ስም፡ ን «ደባ-ኣርዋ» ዝብል መጸዋዕታ ንኡስ ለውጢ እተገበረሉ መሲሉ፡ ኣብ ጥንቲ፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ሓማውያን ህዝቢ ሰፊሮም ከም ዝነበሩ ይሕብር። ብቋንቋ ኣገው "ኣርዋ" ማለት፡ እትቕመጠሉ ወይ ማናበሪኻ ቦታ ማለት እዩ።

«ደባ ኣርዋ» ወይ ብከምዝ ሕጂ ዝድመጽ ደባርዋ ተተኪኡ፡ ደባ ዝነበረሉ ቦታ ምኽኑ ትርጉሙ።

ብዛዕባ'ዚ ቅድሚ ምስፍሕፋሕ ኣግኣዝያን ዝነበረ ሓማዋ-ህዝቢ ዝሕብሩ ኣሰራት፡ ብብዝሒ ኣብ ወጀራት ይርከቡ።

(4)- ኣብ «ጉራዕ» ምስ ራእሲ-ወለንኪኤል ሓቢሮም ኣንጻር ሃጼ-ዮሃንስ ካብ ዝኸተቱ መራሕቲ ሰራዊት -ሰብኣይ ጓሉ ንራእሲ-ወለንኪኤል ልጅ-ተሰፉ በዓል ደቃ-ቦኽሪ/ ኣይተ-ፍሳሃ በዓል መራጉዝ/ ልጅ-ንጉስ በዓል ኩዶፈላሲ/ ልጅ-ተሰማ በዓል ዳንዴር ኣብ ዓድ-ሞንጎንቲ፡ ካልኦትን ይጥቀሱ።

ልጅ-ማረ/ ልጅ-እግዛው እተባህሉ ሰብ-ኩዶፈላሲ ግን፡ ምስ ንጉስ-ዮሃንስ እዮም ተሰሊፎም።

(5)- ንዓመታት፡ ኣብ መንደፈራ ቅውም-ዕስክርና ምስ ተጀመረ፡ እቲ ህዝቢ እንደገና ብብዝሒ ኣባና (ኢጣልያ) ወሓዘ።

መተሓሳሰቢ፥

እዚ ስእላዊ መረዳእታ ናይቶም ዓበይቲ ዝበሃሉ ኣፍላጋት ኤርትራ፡ ከም ወዮ ደራሲ ባዕሉ ዘቕረቦ ሓሳብ፡ ን ዝያዳ መብርሂ ካብ ካልእ ጆግራፍያዊ-ስእሊ እተዋጽአ 'ምበር፡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ-ምንጪ ጽሑፍ ከም ዘይተማልአ የዘኻኽር።

ብዝኾነ ግና፡ ንዝያዳ ሓበረታ ኣብቲ ተተሓሒዙ ቀሪቡ ዘሎ ብደራሲ እተሰናደወ ማፕ (ማፕ) ተመልከት።

ቀዳማይ ክፋል

«ዞባኣዊ ሕጽረ-መሬት»

መሰረታዊ ኣምር።

ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ንሃገርም መረብ/ምላሽ ኢሎም ይሰምዩዎ። ትርጉም ናይዚ ክልተ ቃላት ንባዕሉ፡ ክልተ መሰረታውያን ፍልልያት የጠቓልል። ብቋንቋ'ቲ ሃገር ብትግርኛ(ቋንቋ-ትግራይ)ማለት እዩ፡ ብ ነጀው ወይ ክኤው መረብ ዝኣመስሉ ትርጉም የማልእ። ስለዚ ብመላኡ እዚ መሬት'ዚ፡ «*ነጀው መረብ*» ወይ «*መረብ ምላሽ*» ተባሂሉ ክስመ ዝምተንብእ፡ እቲ ካብ መስመር ወሓይዛት "*መረብ-በለሳ-ሙና*" ንደቡብ ገጹ ዝርከብ *መሬት* ድማ፡ «*ክኤው መረብ*» ምተባህለ።

እዚ ቃላት'ዚ ግን ኣብ ዕለታዊ ኣዘራርባ ስለ ዘይዝውተር፡ መረብ/ምላሽ ክበሃል እንከሎ፡ እቲ ካብ ንሓሰ 1889 ዓ.ም. ኣስመራ ብዝወረርና (ኢጣልያ)፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳርና ዝኣተወ ካብ እተጠቕሱ ወሓይዛት(*መረብ/በለሳ/ማይ-ሙና*) ንሰሜን ዝርከብ ክፍሊ ክበሳ ኢትዮጵያ እዩ ዝምልከት።

ኣብ መረብ/ምላሽ ዝዝውተር ምክፍፋል-መሬት፡ ከምቲ ኣብ ኤውሮጳ ፖሊቲካውን-ማሕበራውን ዕላማታት ክማልእ ተባሂሉ እተገብረ ፍጻሜ ኣይኮነን።ከም ዝኣምኖ'ውን፡ ነዚ ዝመስል ኣገባብ እተዓዳደላ-መሬት፡ ኣብ መረብ/ምላሽ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ መላእ ዓድ-ሓበሻ ጥቓኡ ዝቀራረብ ኣተሓሳስባ'ኳ ኣይርከብን።

ኣብዚ ሃገር'ዚ፡ ብሓደ ልኡል ማእከላይ-ስልጣን እተመዘዙ ሹማምንቲ/ ኣኽባረ-ሕጊ ወይ ወኪላት ዝርከብሉ፡ ን/ወረዳ/ ከባቢ/ ኣሃዱ/ ዘንጽር እተዓዳደላ መሬት የለን።

ምድሪ ዝብል ኣጸዋውዓ፡ ካብ ጥንታዊ ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋ ዝመጸ ኮይኑ፡ ብዝኾነ ታሪኻዊ ፍጻሜ ወይ ባህርያውያን ኢኃማምታት (ናይ ክሊማ/ ዝባን-መሬት ወይ ተመሳሰልቲ) ፍሉይ መጸውዒ እተዋህቦ ዓቢ ይኹን ንኡስ ስፍሓት-መሬት ዘመልክት ኣምር እዩ። ስለዚ መብዛሕታኡ እዋን ምድሪ ክበሃል እንከሎ፡ ምስቶም ዝቕመጥዎ ህዝብታት ኮነ/ ምስቲ ኣብ ሞንጎኦም ዝህሉ ናይ መሬት ኣከፋፍላ፡ ምትእስሳር ወይ ዝምድና ዘይብሉ፡ ጆግራፍያዊ ኣጸዋውዓ ጥራሕ እዩ ዝሕብር።

ብመሰረት ዝምድና ናይ ዝቕመጥዎ ህዝብታት እንተዝረአ ግና፡ እቲ «ደቃ»/«ደቂ» ዝብል ኣጸዋውዓ እዩ ዝያዳ ልክዕነት ዝህልዎ። ምኽንያቱ፡ ከከም'ቲ ኣከፋፍላ መሬት-*እንዳ ወይ ሰድራ-ቤት/ ነገድ ወይ ወለዶ/* ዝኣመስሉ ትርጉም ስለ ዘማልእ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመስለ ኩነታት'ውን፡ ካብቲ ናይ ኤውሮጳ ብዝፍለ ኣገባብ፡ እቲ መሬት ዘይምጡን ወይ ዘይመሳሰል ኣገባብ ኣከፋፍላ ክህልዎ ስለ ዝኽእል፡ እዚ ደቃ/ደቂ ዝብል ኣጸዋውዓ፡ ሓድሓደ ጊዜ ንእዝዩ ሰፍሕ ዝበለ- ኣብ ካልእ ድማ ንእዝዩ ንኡስ ዝኾነ ትሕዝቶ መሬት ዝሕብር መጸውዒ ይኸውን።

እዚ ኣበሃህላ'ዚ'ውን ንባዕሉ ኣብ ካልእ ጸገም ዘምርሕ እዩ። ከመይሲ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ሓደ ካብዞም ደቃ/ ደቂ/ ዝበሃሉ ማሕበራዊ-ጉጅለ፡ ካብ ቀንዲ መናበሪኡ ቦታ ርሒቑ ኣብ ካልእ ምድሪ ተፋርዩ'ውን ክርከብ ይከኣል እዩ። ወይ'ውን ብመሬት ካልኣት ደቃ/ ደቂ/ ኣብ እተኸበበ መሬት ወይ ዓድታት ተወሲኑ ክነብር ይኽእል። ከምዚ ዝኣመስለ እተንጻጸለ ፖሊቲካዊ-ደሴታት ኣብ ጀርመን ንእብነት ውሑድ ኣይኮነን።

እዞም ደቃ/ደቂ ዝበሃሉ ህዝብታት ወይ ነገድ፡ ከከም ምዕባይን-ምንእስን ስፍሓት ናይቲ ዝነብርሉ መሬትን-ኣገዳስነቱን፡ ኣብ ብዙሓት ጉልታት እተኸፍለ ምድሪ እዩ መናብሮኦም።

"ጉልቲ" ክበሃል እንከሎ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ንብልጫ እተዋህበ *ውልቀ-ሰብ* ወይ ኣብ ምምሕዳር ሓደ *ማሕበረ-ሰብ* ወይ *ሞራላዊ* ትካል ዝርከብ ስፍሓት-መሬት እዩ።

ማቡእን-መሰልን ናይዞም እተጠቕሱ ኣመሓደርቲ፥

1)- መሬት ክሓርሱን/ክሕርሱን -

2)- ንዓእምን ብስም ንጉስን ግብረ-መሬት ምስግዳድ -

3)- ናይ ስልጣን መዝነቶም፣ ብቀጥታ ኣብ ትሕቲ ንጉስ ወይ ወካሊኡ ዝኾነ ሹመ-ይና ይኸውን - ዝኣመሰሉ ቀይድታት የጠቓልሉ።

ስለዚ፣ ጉልቲ፣ ንጥቕመ-ውዕለት ተባሂሉ ዝውሰን ክፍለ-መሬት ማለት እዩ።

እቲ ኣዋድቓ ወይ ኣተዓዳድላ መሬት፣ እተፈላለየ ኣገባባት ይኽተል፥

ሀ)- ንውሱን ጊዜ ዝምረጽን/ይግበኦ እተባህለን ውልቀ-ሰብ ዝስላዕ -

ለ)- ብቀዋሚ፣ ንሓደ-እንዳ ኩነ/ነገድ ዝሕብር ደቃ-ደቂ ዝፍለ -

ሐ)- ብመልክዕ ህያብ፣ ን "ቤተ-ክርስትያን" ወይ "ደብሪ" ዝውሰን።

እቶም ንውልቀ-ሰብን/ ኣቢያተ-ክህነትን ዝውሰኑ ጉልቲ፣ ንውሱን ጊዜ ስለ ዝምደቡን፣ ምስ ምልውዋጥ ስልጣን እውን ዋንነቶም ክጥበቕን-ክቕንጠጥን ስለ ዝኽእል፣ ኣገዳ-ሰነቶም እተወሰነ እዩ።

እቶም ንሓደ "ነገድ" ወይ "እንዳ" ተባሂሎም ዝውሰኑ ጉልቲ ግና፣ ብዘይካ ብክቢድ ገበን ወይ ኣድላይ ንዝበሃል ልኡል ህዝባዊ ጸጥታ፣ ክልዕሎም ወይ ክልውጦም ዝኽእል ማንም ስልጣን የለን። ስለዚ፣ እዞም ጉልታት እዚኦም እዮም ህያው ወይ ሓቀኛ ዝኾነ ስርዓት ኣክፋፍላ-መሬት ክሕብሩ ዝኽእሉ ጭብጥታት።

ነዞም እተጠቕሱ ኣምራት ምልኣት ንምሃብ፣ብዛዕባ«ዓዲ» እውን ሓበረታ ምሃብ ክድሊ እዩ።

«ዓዲ» ክበሃል እንከሎ፣ ኣካል ናይ ሓደ ጉልቲ ዝኾነ መሬት ዝውንን ጽብብ ዝበለ እንዳ ወይ ስድራ ዝጥርንፍ ኣሃዱ ማለት እዩ። እተጠቕሰ እንዳ ወይ ስድራ፣ ምስቶም ኣብ ካልእ ዓድታት ናይቲ ጉልቲ ዝነብሩ ህዝብታት፣ ዝምድናዊ ምትእስሳር ኣለዎ።

ስለዚ፣ «ዓዲ» ንናትና(ኢጣልያ) "ኣሃዱ" ክመስል እንከሎ፣«ጉልቲ» ንሓደ-ከባቢ "ወረዳ" ወይ "ንግስነት" ይመስል።

ሓድ-ሓደ እዋናት እቲ ህዝቢ ክዓብን-ክስፋሕፍሕን እንተድኣ ዘይክኢሉ ወይ ድማ ኣዝዩ ንኡስ-መሬት እተፈቕዶ ምስ ዝኸውን፣ ሓደ-ዓዲ ንውልቁ፣ ጉልቲ ተባሂሉ ክቕ-ውም ይኽእል እዩ።

ንነፍስ-ወከፍ ዓዲ ኩነ-ጉልቲ ዘመሓድር፣ መብዛሕትኡ ጊዜ ካብ «ቦኸር-ጨንፈር» ሓደ-እንዳ "ወራሲ" ተባሂሉ ዝምረጽ ሓደ መራሒ ይርከቦ። እዞም መራሕቲ ብሓፈሻኡ «ሹም-ጉልቲ» ወይ «ሹም-ዓዲ» ይበሃሉ።

"ሹም-ጉልቲ"፣ ብዘይካ እዚ መጸዋዕታ'ዚ፣ ኣይተ/ ክንቲባይ/ ባሕረ ነጋሲ-ዝኣመሰሉ ሽመት'ውን የሰንዮም እዩ። "ሹም-ዓዲ" ግና ብናይ ንዕቀት ኣበሃህላ፣ ጭቃ ዝብል እዩ ናይ ሓባር መጸዋዕታኦም።

እዚ ስም'ዚ ንድግሲ፣ ኣብቲ ነዊሕ ናይ ፋሉልነት ዘመናት ሃገር ዘባደሙን-ዘሰከፉን ወራራት ኣብ እተኻየደሉ ጊዜያት እዩ ተጠሚቕዎም። እቶም ወረርቲ፣ በዞም ጭቃ እተባህሉ ትሑታን-ሹማምንቲ ተጠቒሞም እዮም ነቲ ህዝቢ ይምዝምዝዎን-ይሳቕይዎን ዝነበሩ።

ናይ ትግራይ ዕብለላ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፣ ብልዕል ሹም-ጉልቲ፣ ስቪልን-ወታሃደራውን መዝነት ዝጥቕልሉ፣ ሹም-ነጋሪት እተባህሉ ፍሉያት ብንጉስ ዝለኣኹ ሹማምንቲ እውን ተራእዮም እዮም።

ሹም-ነጋሪት፥ ናይ ኩናት ነጋሪት ወይ ክበሮ እተረከቡ ሹማምንቲ ኩይኖም፣ ክኸም መዝነቶም ብፍላይ፣ደግያት/ ራእሲ....ወ.ዘ.ተ. ዝብሉ መሰነይታ-ስም እውን ይወሃቦም ነበረ።

ሃጸያዊ-ስልጣን ናይ ምውካል ተኽእሎ ወይ እቲ ሹም-ነጋሪት ዝበሃል መገዛት፣ ሓድሓደ እዋን ኑቶም ባህርያውያን ኣሕሉቕ ናይ እተፈላለዩ ነገዳት ኰነ/ዓበይቲ ጉልቲ ዘመሓድሩ ሹማምንቲ እውን፣ ይወሃቦም ነይሩ እዩ። ከምዚ'ሎም ንስሙ ወይ ንማለቲ ድኣ ኣብ ትሕቲ ልኡላዊ ስልጣን ንጉሰ-ነገስት ይመሓደሩ ይበሃል እምበር፣ ብግብርስ ንባዕሎም ንእሳን-ነጋውስ እዮም ዝነበሩ።

ኣብ መረብ/ምላሽ፣ እቲ ነዊሕ እዋን ዝጸንሐ "መኰንናዊ እንዳ-ጸዓዛጋ" ኰነ፣ ሰዒቡ ድማ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት እዚ ቦታ'ዚ ርእሱ ዘመሓድረሉ ዝነበረ ጊዜ፣ ንባዕሉ "ራእሲ-ወለንኪኤል" በዓል ሃዚጋ፣ ከምዚ ዝበለ ስልጣን እዩ ዝነበሮም።

ኣብ ኢትዮጵያ፣ ብዛዕባ እዚኦምን-ከምዚኦምን ዝኣመሰሉ መስፍናውያን-ኣሃዱ ኣብ ዝዝረበሉ ግን፣ ኣንባቢ ምስቶም ብተመሳሳሊ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ናይ መሳፍንቲ-ግዝኣት ኰነ/መንግስቲ- ክንጸጽሮም ኣይግባእን። ከመይሲ ኣብዚ ቦታ'ዚ ነፍስ-ወከፍ እንዳ ወይ ነገድ፣ ናይ ግዛእ ርእሱ ልምዲ ኰነ ባህሊ ሃልዩዎ፣ ኣብ ሞንጎ ደቅ-ዓዲ ይኹን ደቃ-ጉልቲ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ እተፈላለዩ ጉልታትን-ዓድታትን ዝሀሉ ዝምድና፣ ብልምድን-ባህልን እዩ ዝቕየድ።

ሹም-ዓዲ/ ሹም-ጉልቲ/ ሹም-ነጋሪት/ ኣብ መምሕዳራቶም ዝነበሮም ቀንዲ ተልእኾ፣ ኣብ ልምዳዊ ሕግን(ሕጊ እንዳ'ባ)/ ፍትሓ-ነገስትን ተመርኲሶም፣ ኣብ ትሕተኦም ብዝርከቡ ባይቶ-ሹማምንትን/ሓለፍትን ተሰንዮም፣ ጸጥታ- ሰላም- ፍትሒ- ምውሓስ እዩ ዝነበረ። ስለዚ እቲ ሀልዊ ዝበሃል ሕግን- ውሽጣዊ ምምሕዳርን፣ ኣይመሳሰልን ጥራሕ ዘይኰነ፣ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ብናይ ግዛእ-ርእሱ ልምዳዊ ሕግታት እዩ ዝመሓደር ዳርጋ'ውን ክበሃል ምተኻእለ።

ብቕድሚ ራእስታት ወልደስላሴ- እስባጋዲስ ማለት ብቕድም'ዚ ዘለናዮ ክ. ዘመን፣ ኣከለ ጉዛይ ግብረ'ከይከፈለ፣ ንልኡል ንጉሳዊ ስልጣን ተቐቢሉ ማለት፣ ሓደ-ምንጻፍን/ ሓደ-ጠበንጃ/ ንዓመት ከም ህያብ ምብርካት እዩ ዝነበረ ግዴታኡ።

ከምኡ'ውን ህዝብታት ቦጎስ፣ ህያብ ንሃጸይ ተባሂሉ ዝኸፍልዎ ዓመታዊ ግብሪ፣ ሱሳ(60) ኣሓ እየን ዝነበራ። እዚ ድማ ምስቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ብልጽግናን ናይ ጥሪት ሃብትን ክረአ እንከሎ፣ ኣዝዩ ትሑት ሚዛን ዝነበሮ ዋጋ እዩ።

ከምዚ ክንድ ዝኾነ፣ እቶዲሞም ባሕረ-ነጋሲታት ስዒቦም ድማ እንዳ መኳንንቲ ጸዓዚጋ፣ ኣብዚ ሰፊሕ ኣውራጃ፣ ልኡላን ሰበ-ሕጊ ወይ ዳያኑ ተባሂሎም ምተሰመዩ።

እቲ ዝነበረ ሓድነት፣ ብጥቕምን ናይ ደም ዝምድናን እተረጋገጸ «ፈደራላዊ ሓድነት» ድኣ'ምበር፣ ብስርዓትን- ማእከላይ ስልጣን ብዝመረጸም ሹማምንቲ ዝቕየድ፣ ቅዉም መንግስታዊ ቅርጺ ኣይነበሮን። ኣባታዊ-ስርዓት ዘዥኸር ኣዝዩ ሓራ ዝኾነ ኣወዳድባ እዩ ዝነበረ። ስለዚ እዩ'ውን ሓድሓደ ጊዜ ፋሉልነት ኣብ ዝነገሰሉ እዋናት፣ ኣብ ደም እተባጽሐ ረጽምታት ዘይተሳእና። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፣ ስልጣኖም ክብ ዘበሉ ዘይሰ-ላማውያን ጐረባብቲ፣ ገለ ክፍለ-መሬት ክመልኩን- ክራስዩን ተራእዮም እዮም። ከም ኣብነት፣ ኣውራጃ ኣከለ ጉዛይ ብዘመነ ወልደስላሴ- እስባጋዲስ- ውቤ- ክጥቀስ ምተኻእለ። ካብ መሰረቱ ግን፣ ኑቲ ብ «ከኤው መረብ» ዝኻየድ ዝነበረ ኩነታት ተመልኪትካ፣ ኣብ መላእ ዓድ-ሓበሻ ብስፉሓት ኰነ ኣገዳስነቱ፣ ን መረብ/ምላሽ ዝመስል ካልእ ኣውራጃ ኣይርከብን።

ምውህሃዱን-ሓድነቱን ኣመስኪሩ ከም መቐጸልታ ናይዚ'ውን ነዊሕ እዋን ነጻነቱን/ ርእሰ-ምምሕዳሩን ምዕቃብ ዝኸኣለ፣ «መረብ/ምላሽ» እዩ ንውልቁ።

መበቆል ናይ ዝነብርዎ ህዝብታት ተመልኪትካ፣ ናይ ሎም መረብ/ምላሽ ወይ ክባቢ ኣስመራ፣ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ኣውራጃታት ምተኸፍለ፥

እቲ 1ይ፥ ጥቓ ገማግም ከበሳ፣ ኣብ ሰሜናዊ-ምብራቕ ዝርከብ «ደቃ-ሚናብ» ይበሃል።

እቲ 2ይ፥ ኣብ ምሉእ መጠዋውዮ ፈለግ መረብ ተሓቝፉ ብደቡባዊ-ምዕራብ ናይቲ ቀዳማይ ዝርከብ ድማ፣ «ደቃ-ወረሰናዝጊ» ተባሂሉ ይስመ።

ንኸጥዕም " ወረዳ " ተባሂሉም እንተዝስመዩ፣ «ደቃ-ሚናብ» ኣብ ክልተ ወገን ተኸፊሉ ን ወረዳ-ሓማሴን/ ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ የጠቓልል።

ብተመሳሳሊ «ደቃ-ወረስናዝጊ»፥ ስራየ/ ቆሓይን/ ደቃ-ተስፋ/ኣብ ዝበሃሉ ሰለስተ ወረዳ ምተኸፍለ።

ኣብ መቐጸልታ ናይዚ ጽሑፍ፣ ብቕድም'ቲ ናይ ኢጣልያ ወራርን/ ብቕድመኡ ድማ ንዓሰርተ ዓመት ዝጸንሐ መግዛእቲ ትግራይን፣ ኣብዚ ሃገር ዝጸንሐ ፖሊቲካውን-ማሕበራውን ስርዓት ዝያዳ ንምርዳእ፣ ናይ ነፍስ-ወከፍ ኣውራጃን- ወረዳን- ሓፈሻዊ ሓበረታ ክወሃብ እዩ። በዚ ተደጊፍና'ውን ዝምድናዊ ምትእስሳር ናይቶም ኣብዚ ቦታ ዝነብሩ ነገዳት(ጃንዳ)/ ፖሊቲካዊ ኩነታቶም/ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ድማ ብ ጉልትን- ዓድን ዝስራዕ ክፍሊት ህዝብታትን/ እቲ ነፍስ-ወከፍ ወገን ብመሰረት እዋጅ ሃጸይ ዳግማይ እያሱ ክኸፍሎ ዝግደድ ዝነበረ ግብርን፣ ኣጸቢቕና ክንግንዘቦ ንኽእል።

****

ኣውራጃ ደቃ-ሚናብ ።

ኣቐዲሙ ከም እተጠቕሰ፣ ሓድሓደ ኢትኖግራፍያዊ-ደሲታት ንወገን ገዲፍካ (ብዛዕባኡ እውን ኣብ መቐጸልታ ናይዚ ጽሑፍ፣ መብርሂ እንቕርበሉ) ብመላኡ ህዝቢ መረብ ምላሽ፣ «ሰማዊ» እዩ ነገዱ። ብዘይካ'ዚ፣ መብዛሕትኡ ክፋል ህዝቡ፣ ናይቶም ን «ቀዳማይ ምኒሊክ» (ወድ ኣዜብ ወይ ሳባ/ ንጉስ ሰሎሞን) ክሰንዩ ዝመጹ - "እብራይስጥ" ዘርኢ ኢና፣ ዝብል ጠለበ-ተገብእ ከም ዘቕርቡ ተመልኪትና ጸኒሕና።

ኣብ ሓማሴን- ኣከለ ጉዛይ፣ ዛጊት ህያው-ውዕውዕን ዝኾነ ባህሊ ወይ ዛንታ ከም ዝገልጾ፣ ምኒሊክ፣ ን " ሚናብ " ካብ «ነገደ-ብንያም» እዩ መራሕ-ሰራዊቱ ክኸውን መሪጹ። ካብ ዝነበሩ " እብራይስጥ " ድማ፣ ሓይልን-ትብዓትን ዘመስከረ ብምኳኑ እዩ፣ እዚ ቀዳምነት'ዚ ተፈሊጥሉ። ዘርኡ እዩ'ውን ን «ደቃ-ሚናብ» ዝፈረየ።

ደቃ-ሚናብ ማለት፣ ነገድ ወይ ዘርኢ ሚናብ ማለት እዩ።

እዚ፣ ከመይ'ሉ ከም ዝኾነ ንመልከት።

እቶም ንምኒሊክ ክሰንዩ ዝመጹ እብራይስጥ ወይ ደቃ-ሮቆብ፡ እዚ ዘይበሃለሉ እዋን፣ ኣቐዲሞም ኣብ መረብ/ምላሽ እዮም ሰፊሮም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ ባህሊ'ኳ እንተዘይገለጾ፣ ስነ-ሞጎት ከም ዝሕብሮ፣ እቶም ብ «ከቤው መረብ» ዝነበሩ ህዝብታት ምስ'ዞም ሓደስቲ ባእታ ምቅዳው ስኢኖም፣ ተጻራርነት ስለ ዘርእዩ ይመስል።

ኣብዚ ናይ ጣእት ኣምልኾ ዝጸንሑም ሃገራት ከቤው-መረብ፣ መበገሲ ናይቲ ተቓውሞ ኩይኑ እተረኽበ ኣርእስቲ ድማ፣ ምትእትታው እምነትን/ሕገ-ሙሴን፣ ከኸትሎ ዝነበሮ ዓሚቝን-መሰረታዊ ለውጥን እዩ ነይሩ። ዋላ'ውን እታ ንግስቶም ብ ኣድንቖት የሩሳለም-ንጉሳን እንተተመሰጠት፣ እቲ ክሰራሮ ዝነበሮ ሓደስቲ ኣምራት፣ ብዘይ ሓደ ተቓውሞ ቅቡል ክኸውን ኢልካ ምትስፋው፣ ክእመን ዘይከኣል መጉት እዩ።

ብዝኾነ ግና እቲ ዛንታ ከም ዝገልጾ፣ "ነገደ-ሩብን" ኣብቲ ሉም ከም ሉጎ-ሞዎ ዝፍለጥ ክፍሊ-ሓማሴን ሰፈረ።

"ነገደ-ለዊ"፣ ኣብ ድምበዛን/ ኣብቲ ሉም እንዳ-ባርግለ ሒዞምዎ ዝርከቡ መሬትን- ዓድታት ገረምን/ ዓድ-ኣበይቶ/ ቆሓጽየን-ካርነሽም/ ሰፈረ። ብዘይካ'ዚ እውን፣ ኑቶም ኣብ እምባ-ደርሆ(ካርነሽም)/ ኣስመራን ካልኦት ከባቢታት ሓማሴን ዝነብሩ «ሓም» እተባህሉ ነገድ እውን ዝፈረየ እዩ።

"ነገደ-ዮሴፍ" ዝኾኑ እብራይስጥ፣ ኣብ ሲባን- ሰሓርቲ ተፋረዩ።

"ነገደ-ይሁዳ"፡ ኣብ ሰራዩ።

"ነገደ-ንፍታሌ"፡ ብእዋኑ ንትግራይ ስለ ዝሓለፈ፡ ብ ነጀው-መረብ ሓድጊ ኣይገደፈን።

ፍቕዲ ናይቶም ንምንሊክ ከሰንዩ ዝመጹ«ህዝብታት-እብራይስጥ»፡ ከምዚ'ሉ ይማላእ።

እቲ ባህሊ ከም ዘዘንትዎ እውን፡ ን "ሽድሽተ ነገደ-እስራኤል" ወኪሎም ዝመጹ፥

ነገደ-ብንያም (ሚናብ ብተመሳሳሊ)/ *ነገደ ሮቤል/ ለዊ/ ይሁዳ/ ዮሴፍ/ ንፍታሊ/* እዮም ዝነበሩ።

ውሑድ ናይ ኣደማምጻ ለውጢ ድኣ ይሃልዎ እምበር፡ እዚ ኣስማት'ዚ፡ ናይ ሽድሽተ ካብቶም ዓሰርተው-ክልተ ርእሰ ነገዳት እስራኤል ምዃኑ፡ ብቐሊሉ ዝርዳእ እዩ።

ወረ'ውን እቲ ህዝባዊ ያታስ(ከምቲ ልሙድ ናይ ሓፋሽ- ባህልን ኣበሃህላን)፡ ጊዜን-ሰባትን እናፈለየ፡ ንባዕሎም /*ብንያም/ ሩበን/ ለዊ/ ይሁዳ/ ዮሴፍ/ ንፍታሊም/* እዮም ንምንሊክ ከሰንዩ ንመረብ/ምላሽ መጺእም ዝብል።

እቲ ዛንታ እናቐጸለ፡ እቶም ዘርኢ ናይዞም ሽድሽተ ደቂ-ያቆብ፡ ንምንሊክ ኣብቲ ኢትዮጵያ ንምምላኽ ዘካየዶ ወራራት ከም እተኸተልዎ እናገለጸ፡ ይሁዳ ኣብ *ሰራየ* ሓድጊ ገዲፉ፡ ንዓድ-እምሓራ ሓሊፉ ኣብኡ ከም ዝሞተ፡ሚናብ'ውን፡ "ጉማ እተባህለ ውላድ ሓዲጉ፡ ኣብኡ፡ ኣብ ዓድ-እምሓራ ከም ዝሞተ ይጠቅስ።

ጉማ'ውን ተባዕ ተዋጋኣይ እዩ ዝነበረ። ንሱ'ውን ኣብ ዓድ-እምሓራ ኣብ ዓውደ-ውግእ እዩ ሞይቱ።

እቲ ካብዚ ዛንታ'ዚ ዝርከብ ሓበሬታ ከም ዘረድእ እምበኣርከስ፡ ሰሎሞናዊ-ስርወ ስልጣኑ ኮነ ሕግታት ሙሴ ኣብ ኢትዮጵያ ንምትእትታው፡ ዓበይቲ ጸገማት ከም ዝገጠሞን፡ ጸብለልትነቱ ድማ ብኣላ'ቶም ካብ ሰሜን ዝመጹ ባእታ ከም ዘረጋገጾን ንግንዘብ።

ጉማ፡ *«መረዊ»* እተባህለ ውላድ ነበሮ። ንሱ፡ ንዓድ-እምሓራ ለቒቑ ብወልቃይት ኣቢሉ ብዓድታት ባርያን-ኩናማን ጉንዳበርቲ(ዓንሰባ)ሓሊፉ፡ ንመረብ/ምላሽ ተመልሰ። ብልክዑ እውን ኣብቲ ሎም ከም *ደምባዛን* ዝፍለጥ መሬት። ኣብኡ'ውን ፈረየ።

መረዊ፡ ፋሉቕ- ማሉቕ- ሜሉቕ እተባህሉ ሰለስተ-ደቂ ነበርዎ። *ፋሉቕ*፥ ኣብ ቤት-ኣቦኡ ተሪፉ ኣብ *ደምበዛን-ካርነሽም* ብዙሓት ዓድታት መስረተ። ነገዱ እዩ'ውን ስዒቡ ኣብ ሓማሴን ኣዝዩ በርኪቱ፡ ንቶም ብቀጥታዊ-መስመር ቦኽር ውላድ እናተ-ባራረዩ ኣብ ናይ ሓድሕድ ግጭት ጸሚዶም እተራባረቡ እንዳታት ጸዓዘጋ-ሃዘጋን ዝፈረየ።

ማሉቕ፥ ንደቡብ ገጹ ተሰዲዱ ንሱን ዘርኡን ነቲ ስዒቡ *ኣከለ-ጉዛይ* እተሰመየ መሬት ሃዘበ። ነዚ መሬት ብዝያዳ ዝፈረዩ ድማ፡ ኣብ ሳልሳይ-ወለዶ ዘርኢ ማሉቕ ዝውለዱ ኣከለ- ጉዛይን እተባህሉ ክልተ ኣሕዋት እዮም።

ሜሉቕ፥ ኣብ ጺጋማዊ-ወገን ናይቲ ፈለግ መረብ ንዕዙኡ ዝጀምረሉ፡ ማለት ኣብቲ ብሓፈሻኡ እዚ ፈለግ'ዚ ካብ ሰሜን ንደቡብ ዝውሕዘሉ ቦታታት ሰፊሩ፡ ርእሰ-ነገድ *ህዝብታት መረታ* እዩ።

ነዚ ናይ ትውልዲ-መስመር ብእምነት እንተድኣ ተኸቲልና፡ መብዛሕትእም ህዝቢ ሓማሴን-ኣከለ ጉዛይ፡ ናይ ደም-ምትእስሳር ኣለና ካብ ዝብል እምነት፡*«ደቂ-ሚናብ»* ብዝብል ናይ ሓባር መጸዋዕታ ይስመዩ።

ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ መብዛሕትኡ ህዝቢ መረብ/ምላሽ፡ ንከምዚ ዝኣመሰለ ሰማዊ-መበቆል ዝኣምኑሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ካልኦት ድማ፡ ካብዚ እተፈልየ መበቆል ኣለና ዝብል እምነት ኣይሰኣናምን። ክኸውን እውን፡ ከምዚ ዳሕረዋይ ዝኣመሰለ እምነት፡ ካብ እንዳ ደቂ-ወረሰናዝግስ፡ ብዝያዳ ኣብ ደቂ-ሚናብ ይዝውተር። እዚ ፍሉይነት'ዚ'ውን ኣብ መቐጸልታ ናይዚ ጽሑፍ-ኣብ ቦታኡን፡ ብዝምጥእ መግለጺ ዝወሃቦ እዩ።

ፖሊቲካዊ ገለጻ ናይቶም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ "ኢትኖግራፍያዊ-ደሲታት"፡ *ውስጡ-ጉልቲ* እዩ።

ውስጠ-ጉልቲ፥ ብመሬት ሓደ ስፍሕ ዝበለ ጉልቲ ተኸቢቡ ዝርከብ ንእሽ-መሬት ኰይኑ ምምሕዳሩ፣ ካብ ምምሕዳር ናይቲ ከቢብዎ ዝርከብ ጉልቲ፣ ነጻ እዩ። ታሪኻዊ መበቆሎም እውን ይፈላለ። ገሊኦም ጥንታውያን ኰይኖም፣ ሓደ-እንዳ ዝባደመ ወይ እተለቐቐ መሬት ረኺቡ ከም ዝሰፈሮም ይሕብሩ። ገሊኦም ድማ ኣብ ቀረባ ጊዜ እተ-መስረቱ ኰይኖም፣ ተዋጋእቲ ህዝብታት ዝበለጸ ቦታ ንምንዳይ፣ ተሰዲዶም ዘወንንዎ-መሬት ይመስሉ። ሓድ-ሓደ ውስጠ-ጉልቲ ድማ፣ ከምቲ ናይ ጥንቲ-ሮማውያን መግዛእቶም ምችባል ዝኣበዩ ህዝብታት ክመልኩ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ኣገባብ ብዝመስል፣ ናይ ብሓቂ ንእሳን-ንግስነታት ይመስሉ። እቶም ብብዝሒ ኣብ ምድሪ ናይ እተሓናፈጹ ህዝብታት ርእሶም ክኢሎም ዝነብሩ ዓድታት'ውን፣ ተመሳሳሊ እዩ ኩነታቶም። ብዛዕባ እዚኦም'ውን ብብውልቂ ሓበረታ ዘወሃበሉ እዩ።

እተጠቕሱ ውስጠ-ጉልቲ፣ ብሃጸያዊ-ወኪል ማለት ብሹም-ነጋሪት ዘውክሉ ድኣ'ምበር፣ ብዝኾነ ናይ ሓባር መራሒ እይመሓደሩን። እዚ ድማ ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፣ ነቲ ኣብ ሞንጎ እተፈላለዩ ዓድታት ብመነባብሮ ይኹን- ልምዲ- ባህሊ- ስርዓት ኣባታዊ ሕጊ- ክህሉ ንዝኽእል ፍልልያት ምድናይን/ምውሓስን፣ ንፍትሒ እዩ ተገይሩ።

ኣብ ግዝኣትና (ኢጣልያ)፣ ካብ መረብ/ምላሽ ርሒቖም ዝነብሩ ነገደ-ሚናብ ዝኾኑ ካልኣት ህዝብታት እውን ይርከቡ እዮም። ንኣብነት፣ እቶም ካብ ዓድ-ንፋስ (ከርነሽም) ንሰሚን ተሰዲዶም ብብዝሒ ኣብ በጁክ/ ኣብ ሓባብ/ ዝነብሩ ህዝብታት ክጥቀሱ ይከኣሉ።

ወረዳ ሓማሴን።

እዚ ወረዳ'ዚ ኣብ ህይወት መረብ/ምላሽ ዝጸንሖ ኣገዳስነት ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ኣቓዲሙ ተጠቒሱ እዩ።

ቱርኪ ብ 1527ዓ.ም. ባጽዕ ቅድሚ ምውራሮም ኰነ/ ግብጻውያን ኣብ ህልዊ ክፍለ-ዘመን መግዛእታዊ ዕብለላኦም ኣብ ሰንሒት ቅድሚ ምድልዳል/ ሓማሴን ኣብ ማእከል ምድረ-ባሕሪ ስለ ዝርከብ፣ ኣቐዲሙ ብ«ባሕረ-ነገስታት»፣ ስዒቡ ድማ ብመኳንንቲ-«እንዳታት ጸዓዘጋ-ሃዘጋ» እዩ ክመሓደር ጸኒሑ።

መሬት-ሓማሴን፣ ኣብ ዝለዓለ ጫፍ ናይቲ ንመረብ/ምላሽ ዝድርት ስሉስ-ኩርናዕ ይርከብ።

እቶም ነዚ ስሉስ-ኩርናዕ ዝሓጽሩ ሰለስተ-መስመራት ድማ፥

1)- ምብራቓዊ ገማግም ከበሳ -

2)- ሰብ ዘይነብሮ መታሕት-ባርካ ብምዕራብ -

3)- መሰረት ናይቲ ስሉስ-ኩርናዕ ዝኾውን ድማ፣ መስመር ወሓይዛት መረብ-በለሳ-ማይ ሙና እዮም።

ዕብየትን-ኣገዳስነትን ወረዳ ሓማሴን ግቡእ ቦታኡ ክረክብ ዝኽእለ፣ ኢጣልያ ከተማ-ኣስመራ ብድሕር ምሓዝና እዩ። ከምቲ ሓድሓደ ናይዚ ጉዳያት'ዚ ክኢላታት ዝበሃሉ እተተስፈውዎ ድማ[1]፣ እዚ ፍጻሜ'ዚ ዘኸትሎ እምነት፣ ኣዝዩ ርሑቕ ኣብ ዘይኮነ እዋን ኣስመራ፣ ሓቀኛ ርእሰ-ከተማ ኤርትራ ከም እትኸውን የረጋግጽ።

ሓማሴን ዝብል ስም፣ ከምቲ ልምዳዊ ኣበሃህላኡ፣ ካብ ሓደ ዘደስት ዛንታ ዝመጸ እዩ ታሪኹ።

---

[1]-ኩሉ ከም ዝፈልጦ፣ ሓደ ካብቲ ብ ከዜር «ማርቲኒ» እተመሓደረ ግዝኣት መንግስቲ-ኢጣልያ ካብ ዝወሰዶም ቀዳሞት ስጉምትታት፣ ርእሰ-ከተማ ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ግዝኣትና፣ ካብ ባጽዕ ናብ ኣስመራ ከም ዘሰጋገረ'ውን ይዝከር።

ኣብ ጥንቲ፡ ብግምት'ውን እዋኑ እዚ እዩ እንተዘይተባህለ፡ ኣብቲ ሎሚ «ፎርተ-ባልዲሰራ» ዝርከበሉ በረኽቲ፡ "ቤት-መኻእ" ኣብ እተባህለ ቁሸት፡ ስማ እውን ተረሲዑ ዝመጸ፡ ኣብ ምስልምና እትኣምን ኣዝያ ሃብታም ዝኾነት ካብ ነገደ-በለው (ማለት፡ ነገድ ናይቶም ኣብ ሞንኩሎ ዝርከቡ ናይባት) እትውለድ ሰበይቲ ነበረት።

እቲ ዛንታ፡ ስም በዓል-ቤታ ይኹን/ ስም ሓንቲ ዝነበረት ጓላ፡ ኣይጠቅስን። ነዚኣ ግን፡ *ሕሰን* ንእተባህለ እስላማይ ካብ ነገደ-በለው፡ ንመውስቦ ከም ዝሃበት ይፍለጥ።

ሕሰን፡ ንሓማቱ ክንድ'ዚ ዝኣክል ተፈላጥነት ዘውሃበ ካብ ኮነ፡ ኣኽብሮትን-መዓርግን ዝነበሮ ሰብኣይ ከይኮነ ኣይተርፍን። ብግብሪ እውን «ሓማሴን» ማለት፡ ሓማት-ሕሰን ናይ ዝብል ስም ኣቒራጭ ኮይኑ፡ ብቋንቋ ትግረ ይኹን-ብቋንቋ ትግራይ(ትግርኛ)፡ ንሕሰን ሓማቱ ማለት እዩ።

እተጠቕሰት ሰበይቲ፡ ተቐባሊት ኢጋይሽን በዓልቲ ልቦናን ብምንባራ፡ በጺሖቲ-ገያሾ-ጽጉማት ዘበሉ- ኣብ ቤታ ይዕንገሉ ነበሩ። ዝኾነ ካብ ነዊሕ መገሻ እናተመላለሰ በዚ ወረዳ'ዚ ዝሓለፈ ገያሻይ፡ እንዳ መን ከም ዝዓረፈ ተሓቲቱ፡ ብብዝሒ «እንዳ ሓማት ሕሰን» ኢሉ ይምልስ ብምንባሩ፡ ንቕድም እቲ ዓዲ፡ ስዒቡ ድማ እቲ ቀረባ ከባቢ፡ ሓማሴን ብዝብል መጸዋዕታ ምስማይ ተጀመረ። እቲ ስም በብቕሩብ ደፋእ እናበለ ኣብ ጕማግም መረብን ኪኖኡን ብምስጋሩ፡ ዝናን ዕብየትን ናይዛ እተጠቕሰት ሰበይቲ ክሳብ ክንደይ ምንባሩ ምርዳእ እየሸግርን። ምኽንያቱ ብተደጋጋሚ ከም ዝሰማዕክም፡ ቀዳ'ውን ኣብ የማናዊ ወገን ፈለግ-ተከዘ ዝርከቡ ዓድታት-ኣምሓራ ዝነብሩ ህዝቢ፡ በዚ ስም'ዚ እዮም ንመላእ መሬት ሰሜናዊ ክፍሊ ኢትዮጵያ ዝሕብሩ። ምናልባት'ውን ነዚ ስም'ዚ ክሳብ ክንድ'ዚ ዝሰፍሐ ትርጉም ንምልባስ፡ ከምቲ ኣብ ካልእ ክፍሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ እተገልጸ፡ ግዝኣቶምን-ዕውት ብረቶምን ክሳብ ፈለግ-ተከዘን ኪኖኡን ዘብጽሑ ናይ ሓማሴን መኳንንቲ ከም ደገፍ፡ መወሰኺታ ኮይኑም እዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ዓድታት ብዙሕ ከየርሓቕና፡ «ንግስነት-ትግራይ» ክበሃል እንከሎ፡ ቀዳ'ውን ከም *ሽረ- ዓጋመ- ዓራማት*...ወ.ዘ.ተ. ዝኣመሰሉ ፍሉያት ወረዳ ዝምልከት'ኳ እንተኾነ፡መበቆላዊ-ስሙ ካብ ወረዳ/መሬት ዓድዋ-ኣኽሱምን እዩ መበገሲኡ።

እዞም ዝስዕቡ ክልተ ፍጻሜታት ከም ዝሕብርዎ ግን፡ ህዝቢ-ንግስነት ትግራይ ንብ-ምሉኡ እቲ ብ *ነጀው ፈለግ-መረብ* ዝርከብ መሬት እዮም «ሓማሴን» ኢሎም ዝሰምይዎ።

ኣብ እዋናት ጽድያ 1889 ዓ.ም.፡ "*ደበብ*" ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ «ራእሲ-መንገሻ» ጽቡቕ ዝምድና መስረቱ ጸኒሑ ምሳኡ መኺሩ'ውን ኣብ ኣኸሩር ምስ ወኪላ-ትና(ወኪላት ኢጣልያ) ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ካብ ኢጣልያ ሓገዝ ንምኽሳብ፡ ብሰላም መሬት-ሓማሴን ክውንኑ ከም ዝኽእሉ ኣፍለጦም። ወኪላት ኢጣልያ፥ «ሓማሴን» ክብል እንከሎ እንታይ ማለቱ ከም ዝኾነ ኣብ እተወከስዎ፡ እቲ ዶብባዊ-ዶቡ ብወሓዚ *በለሳን- ናይ ጉንደት መረብን* ዝውሰን ክፋል-ከበሳ ማለቱ ከም ዝኾነ ገለጸሎም።

ኢጣልያ ንዓመታት ካብ "ዓድዋ" ብዝተመልሱ፡ ምኒሊክ ሎም-ጽባሕ ክመጽእ ተባሂሉ ምምጻኡ'ውን ምስ ዘንግዐ፡ መግዛእታዊ-መንግስቲ ኢጣልያ ምስ ዝምልከቶም ወገናት ዘተ-ዕርቂ ምኽያድ ኣድላይነት ኣብ ዝረኣየሉ፡ ብሓለፍቲ መኮንናት ሰራዊት-ኢጣ-ልያን/ ወኪላት ራእሲ-መንገሻን ዝቘመት ሽማግለ ተመርጸት።

ወኪላት ኢጣልያ፡ እቲ መግዛእታዊ-መንግስቲ ዝጠልቦ ዶብ፡ መስመር ኣፍላጋት *መረብ-በለሳ-ሙና* ምዃኑ ኣብ ዝሓበርሉ፡ እቶም ብወገን ትግራይ እተመዘዙ ወኪላት፡ እዚ፡ ማዕረን- ባህርያዊ ዶብ ምዃኑን ስለ ዝኣመኑ፡ ብዘይካ ተቓውሞ እዩ ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ተበጺሑ።

ንህዝብታት ትግራይ «ሓማሴን» ማለት፡ እቲ ካብ መስመር እተጠቕሱ ኣፍላጋት ንሰሜን ገጹ ዝርከብ መሬት ክኸውን እንከሎ፡ ብካልእ ወገን፡ ንእብነት ብሰራዩ፡ ሓማሴን ዝበሃል እቲ ብሰሜን ናይቲ ከም«*ምኽዓው-ቆሎ*» ዝፍለጥ ሰንሰለት ኣኽራናት ዝርከብ ክፍለ-መሬት እዩ።

እንባቢ፡ ቡቲ ምስ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ተተሓሒዙ ቀሪቡ ዘሎ ጆግራፍያዊ-ስእሊ (ማፕ-ማፕ) ክርዳእ ከም ዝኽእል፡ ሰንሰለታዊ-እኽራናት «ምኽዓው-ቆሎ» እዩ ብደቡባዊ ወገን፡ ባሕርያዊ-ዶብ ወረዳ ሓማሴን ዝውስን።

ኣብ ካልእ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከም ዝረአናዮ፡ ህዝብታት ሓማሴን ኣቐዲሞም ኣብ «ረፑብሊክ» ይነብሩ ምንባሮምን፡ ኣስዒቦም ድማ እባታዊ-ስርዓት ዝኸተል መንግስቲ ከም ዝሰገሩን ተገንዚብና ነይርና።

ከም ቦኽር-ነገድ ተፈሊጡ'ውን፡ እንዳ-ጸዓዚጋ እዩ ምምሕዳር-ስልጣን ተረኪቡ ዝነበረ። እዚ ጸብለልትነት'ዚ ቡቶም ካልኦት ኣብ መረብ/ምላሽ ዝርከቡ ወረዳ እውን ቅቡል እዩ ነይሩ።

****

ተመልከት፥

ኣዞም ስዒቦም ንመርኣያ ክሕግዙ ተባሂሎም ቀሪቦም ዘለው ስሌዳታት፡ ብዛዕባ፥

- ጉልትን/ ዓድታት ናይዚ ወረዳ'ዚ ኮነ -

- ኣብ ታሕሳስ 1892 ዓ.ም. ዝነበረ ገምጋም ፍቕዲ-ህዝቢ -

- ብመሰረት ኣዋጅ «ሃጸይ ዳግማይ ኢያሱ» ነፍስ-ወከፍ መሬት ክኽፍሎ ዝግባእ ግብርን፡ ኩሉ'ቲ ንእተፈላለዩ ከበቢታት ምፍላጥ-ምርዳእን ክሕግዝ ዝኽእል ሓበረታ ክወሃብ እዩ።

- ርእሶም ዝኽእሉ ዓድታት፡ በብ'ቲ ዝርከብዎ ምድሪ እዮም ክጥቀሱ -

- እቶም ንውስጠ-ጉልቲ ዝምልከቱ ሓበረታ ግና፡ ኣብ መወዳእታን-ንበይኖምን እዮም ክቐርቡ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ እዞም ርእሶም-ዘመሓድሩ ዓድታት፡ ሹም-ጉልቲ ብዘይምህላዎም፡ ነገር ንዝምልከት ጉዳያቶም፡ ብቀጥታ ብሹም-ኣንጋሬት ስለ ዝዳኸዩ እዮ ተገይሩ። እቲ ነፍስ-ወከፎም ክኽፍሎ ዝግባእ ግብሪ ኣቐዲሙ'ኳ ዝውሰን እንተኾነ፡ ነገዶም እተፈለየ ብምዃኑ፡ ካብቲ ዝኸበቦም ጉልቲ ተፈልዮም፡ ንበይኖም እዮም ግብሪ-መሬት ዝኸፍሉ። ውስጠ-ጉልቲ ዝኸፍሎ ግብሪ፡ ካብ ናይ ጉልቲ ብዝፍለ ኣገባብ፡ ብዘይ ኢድ-ኣዙር(ኣመሓላልፍ) ኣብ ማሕፉዳ-ንጉስ ስለ ዝኣቱ፡ ነቲ ብፈረሰኛታት ተዓጂቡ በብዓመቱ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ምድሪ እናኾለለ ግብሪ-መሬት ዘዋጽእ ምስለኔ ወይ " ምስለኛ " እዩ ዘረክብ። እቶም ዓድታት እዮም ድማ ሞያ ናይዞም ሹማምንቲ ዝኾኑ።

ኣብ ዝቕጽል መግለጺታት፡ እቶም ውሑዳት ህዝቢ ዝነብርዎም ዓድታት ኮኑ/ እቶም ባዲሞም ጸኒሖም እንደገና እተሃዙ፡ ብ (*) ዝኣመስለ መመልከቲ ክንመልከቶም ኢና። እቶም ፈጺሞም ተለቒቖም ሰብ ዘይነብርዎም ዓድታት ድማ፡ ብ (**) እዮም ክምልከቱ።

ነቶም ግብሪ ብጥረ-ነገር (ባሕርያውያን ነገራት) ዝኸፍሉ ዓድታት ዝምልከት፡ ናይ ትግርኛ «ገቢታ» ናይ ትሕዝቶ መለክዒ ኮይኑ፡ «38 ሊትሮ» ኣቢሉ ከም ዝግመት ምፍላጥ የድሊ።

8 ገቢታ ድማ ብትግርኛ «ሓደ-እንጥላም» ክበሃል እንከሎ፡ ብቋንቋ-ኣምሓርኛ "ዳውላ" ዝበሃል እዩ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ሸውዓተ	ደቅ-ዳንሽም	1)- መቐርካ/2)-ዓድ ዳንሽም ወይ ደቃ ዳሽም እውን ይበሃል እዩ። ኣልጋታ- ማይ ጸሩ-ማይ ምኺን-እተባህሉ ቁሸት እውን ይርከብዎ።
ዓንሰባ	ደቅ-ሽሓይ	1)-ምውቃዕ ምራን/2)-ጺጋ ጸልሚ/ 3)-ዝባን 4)- ዓድ ናይል/ 5)- ዓድ ሀብተስ/6)-ዓድ-ፍንጃይ/7)-ዓድተኽሎይ/8)-ዓድ ዘክርስቶስ 9-ዓድ ሓጋይ 10)-ዓድ ሓይሊት። ተመልከት፥ ናይ ሓዊ-ባርዕ ዘዋፍኦም፡ ቆሽያቆን/ ደምበ-ሽቶል/ እተባህሉ ክልተ ዓድታት እውን ነይሮም እዮም፡ እዚ ጉልት'ዚ፡ ዋሕስ ደምበ/ በርቅሽቢኖ(ኣብ ደቅ-ዓንዱ)እተባህሉ ክልተ-ቁሸት'ውን ይርከብዎ።
	ሞለዛናይ	1)- ጻቕጽሓ/ 2)-ምጽቃጥ ነብሪ/ 3)-ሸዋ/ 4)- ሞለዛናይ።
	ደቅ ንኣምን	1)- ዓድ ንኣምን/ 2)- ኣብራሽቆ ወይ ኣብራሺቆ/ 3)- ዝባን ደቃ-ዘርኣ። ኣብ መሬት ናይዚ ጉልት'ዚ፡ ጉዳጉዲ/ ኣፈቃ/ እተባህሉ ክልተ ቁሸት እውን እትዋት እዮም። እቲ ቀዳማይ፡ ናይ ድምበዛን እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ናይ ደቅ-ዘርኣይ።
	ዓድ ዮሃንስ	1)- ዓድ'ሓንስ/ 2)- ደብር'ሓንስ።
	ደርሰነይ	- ደርሰነይ/ ኣብ ከባቢ ዓንሰባ «ጋሞ» እተባህለ እስላም ዝበዝሕዎ ቁሸትን።
	ደቅ ዓንዱ	1)- ደቅ-ዓንዱ/ 2)- ምስባር ዓራት/3)- ድቡር/ 4)- ኢጋ'ሓ። እዚ ጉልት'ዚ ኣብ ሀልዊ እዋን ኣብ ዞባ-ከረን እዩ ተጠቓሊሉ።

ህዝቢ፥

ክምቲ ባህሊ ናይዚ ቦታ'ዚ ዝገልጾ፡ ህዝብታት ደቅ-ዳሽም/ ደርሰነይ፡ ኣብ ኣከለ ጉዛይ እዩ መበቆሎም። ህዝብታት ደቅ-ንኣምን/ ዓድ ዮሃንስ/ ሞለዛናይ፡ ኣብ እምሓራ። ህዝብታት ደቅ-ሻሓይ፡ ኣብ ዓሳውርታ - ኣብ መወዳእታ ድማ ደቅ-ዓንዱ ኣብ ትግራይ እዩ መሰረታቶም።

ግብሪ፥ ብመሳእ እቲ ምድሪ ብድምሩ 700 ቅርሺ-ባጤራ(ማርያ ተሬዛ) ንዓመት እዩ ግብረ-ንጉስ ዝኸፍል ዝነበረ። «ሹም-ጉልቲ» እዮም ድማ ነቶም ኣብቲ ምድሪ ዝነብሩ እተፈላለዩ ህዝብታት፡ ምቅሊት ግብረ-መንግስቲ ዝውስኑ።
«ባይቶ ሹም-ጉልታት»፡ ኣብ ዓድ-ንኣምን -ኣብቲ ኣብ ሞንጎ ደቅ ሻሓይ/ ደቅ ዳሽም ዝውሕዝ "ወሓዚ ድዋ" ዝርከብ ኦም-ዳዕሮ- እዩ ዝውዕል ነይሩ።
ጉልቲ-ዓድ'ሓንስ፡ ን «ደብረ እንዳ ስላሲ ጻዕዳ እምባ» ስለ ዝግብር፡ ኣብ ክፍሊት ግብረ-ንጉስ ኣይሳተፍን እዩ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም።
ድምበዛን	ሓደ ጉልቲ እዩ ንውልቁ	1)- ዓድ ተከለዛን/ 2)-ደቅ ምሓረ/ 3)- ዋሩ/ 4)- ደቅ ገብሩ/ 5)-ድቅ ድቅ/6)- ደቅ ዘርኡ 7)- ገሽናሽም/ 8)- ሓየሎ/ 9)- ጉረታዩ/ 10)- ዓደከሎም/ 11)-ሽማንጉስ-ታሕታይ/ 12)-ሽማንጉስ ላዕላይ/ 13)-ጭዓረሺ/ 14)-ኣፍደዩ/ 15)-መቸርካ/ 16)- እምባደርሆ/ 17)- ዛንገረም። ዛንገረም፦ በ«ከንቲባይ-ሻውሽ»በዓል ቦጎስ ኣብዚ ቀረባ እዋን እተመስረተ ዓዲ እዩ። እዚ ጉልት'ዚ ኣብ ምድሩ፡ ደምባቕርበት/ ዕጭ ማይ/ ደከኣሎ/ ሽሕንደዋ/ - ኣብ ጉልቲ ደቅ ንኣምን ድማ "ጉዳጉዲ" እተባህሉ ዓድታት ይውንን። ሰብ ሓልሓል ዝኾኑ ቤት-ተዓቁ፡ ኣብዚ ከባብ'ዚ እዮ መበቆሎም። ካብዚ እዮም'ውን ብቕድሚ ዓሰርተው-ሰለስተ ትውልዲ፡ ንሰዶት ኣምሪሖም።

ህዝቢ፥

ህዝቢ ናይዚ ከባቢ ክልተ ቋንቋ የዘውትር፡ ትግረን-ትግርኛን። ካብ ክልቲኡ ግን፡ ትግረ እዩ እቲ መሰረታዊ ቋንቋ ዝመስል።

ኣብ ጥንቲ ዘመናት፡ ሓደ ናይ ኣገው ጉጅለ ናብዚ ዓድ'ዚ ኣቢሉ ተሰዲዱ'ውን ይብሃል እዩ።

ኣብ ህልዊ እዋን፡ ኣብ መሳእ መረብ/ምላሽ ብዘይርከብ ኣብነት፡ ህዝቢ ድምበዛን ኣብ ክልተ-ደርቢ ተኸፊሉ ይርከብ። ርኹብ- ሰኡን (ሃብታም-ድኻ) ዘንጽሩ ኰይኖም ድማ፡ ብቋንቋ'ዚ ሃገር-ሹማግለ/ ትግረ ወይ ማኪታይ ይብሃሉ። ምድርን/መሬትን ዝውንኑ ግና፡ እሆም ዱሕረዎት እዮም።

እቲ ሃብታም ደርቢ(ሹማግለ)፡ በቲ ኣብ ሞንጎ ዓድ-ኣለሙስ/ዓድ ክፍሎም/ዓድ ተኽለሃይማኖት ዝበሃሉ ሰለስተ ዓበይቲ-እንዳታት እተተኸለ ጽልኢ፡ ዘይስመረን-እተኸፍለን ደርቢ እዩ።

እተጠቕሱ ሰለስተ-እንዳታት፡ ሓደ እዩ መበቆሎም። ኣብ ሞንጎኦም ግን፡ እዚ ዘይብሃል ደም ፈሲሱ፡ ብጽልእን- ሕማቕ ኒሕ ጸሚዶም፡ ዘይፈጸምዎ ዓይነት ገበን ኣይርከብን።

ዓድ ተኽለሃይማኖት፡ በዚ ቃልስ'ዚ ጸኒቱ ህላወኡ ተዳኺሙ እዩ። ብሰንክ'ዚ ውሽማዊ ቅልውላዎት እዮም'ውን ዓድ-ኣለሙስ፡ ኣበና ኣብ ኢጣልያ ኣቢሎም። ካብዚ እንዳ'ዚ ዝውለድ ሓድጉ'ንበሰ (ሓድግንበስ)፡ ብሳላ ሓገዝና እዩ(ሓገዝ ኢጣልያ)፡ ንዓና ዝምእዘ 300 ሰብ-ጠበንጃ ኣኸቲሉ፡ መራሒ ናይዚ ዞባ ክኸውን በቒዑ። ስዒቡ ግና፡ እዚ ብዘይተጸበዮ ኢጋጣሚ ዝረኸቦ ዕብየትን-ዝና፡ ኣብ ትዕቢት-ትምክሕቲ-ጭካነ-ብሕጊ ዘይምቕያድ- ዝኣመስሉ ዝምባለ እድሃበሉ'ሞ፡ መንግስቲ-ኢጣልያ ካብ ዝነበሮ ሓላፍነት ቀንጢጡ፡ ኣብ ዓሰብ ክሕዶር ተገይዱ።

ርእሰ-ከተማ ናይዚ ከባቢ፡ ዓድ ተከለዛን እዩ። ኣብ ሞንጎ ከረን-ኣስመራ/ ከረን-ባጽዕ ብ"ማልዲ" ኣቢሉ ዝተኣሳሰር መስመር፡ በዚ ብ «ዓድ ተከለዛን» ኣቢሉ ስለ ዝሓልፍ፡ እዚ ዓድ'ዚ-

ስትራተጅያዊ-ነቑጣ እዩ። ምእንት'ዚ እዩ ድማ፣ ክለዓሉ ንዝኽእሉ ናይ ራዕድን-ሽበራን ፍጻሜታት ንምዕጋት ኰነ/ ናይቶም ከም ፈትወራሪ ገብሩን-ተሓባበርቱን፣ ኣብ በረኻ ኩይኖም ክፍጽምዎ ዝጸንሑ ናይ ሕነ-ግፍዕታት ምቍጽጻርን/ምክልኻልን፣ እዚ ቦታ'ዚ ኣብ ትሕቲ ወታሃደራዊ-ትእዛዝ፣ ክመሓደር ጸኒሑ።

ግብሪ፥

ድምበዛን ንዓመት ዝኸፍሉ ንጉሳዊ ግብረ-መሬት፣ 750 ቅርሺ-ባጤራ(ማርያ-ተረዛ)፣ እዩ ዝነበረ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም።
ካርነሽም	ሓደ ጉልቲ	1)- እምባደርሆ/ 2)- በለዛ/ 3)- ኲዜን/4)- ዓድ ዓዜን/ 5)- ገረሚ/ 6)- ዛግር/ 7)- ወኪ/ 8)- ኲንደባ/ 9)- ደፈረ/ 10)- ደቐሰብ/ 11)- ዓድ ሸኻ/ 12)- ደቅ ጴጥሮስ/ 13)ጼሓፍላም/ 14)- መስፍንቶ/ 15)- ዓድንጐዳ/ 16)- ዓድ ኣረጊት። ዓድ-ንፋስ እውን፣ ኣብ መሬት እዚ ጉልት'ዚ እዩ ዝእቱ። ህዝቢ ሓባብ፣ ካብ ዓድ-ንፋስ እዩ መበቆሉ።

ህዝቢ፥

መበቆል- ኣመጻጽኣን ህዝቢ ካርነሽም፣ ናይ እተፈላለዩ ነገዳት ምትሕንፋጽ እዩ። ህዝብታት ገረሚ/ ኲዜን/ ክፋል ህዝቢ እምባደርሆ/ ዘርኢ-ለዊ ምዃኖም ይኣምኑ። ዓድ-ንፋስ (ውስጠ-ጉልቲ ተባሂሉ ካብቲ ክባቢ'ኳ እንተተፈለየ) ኰነ/ካልኦ ቦታን(ክፋል እምባደርሆ'ውን ምሳኦም)፣ ዘርኢ-ሚናብ እዩ ፈራይኦም።

እዚ ዘርእ'ዚ፣ ብቐድሚ ክልተ-ክፍለ ዘመን ፈረቓን፣ ብምኽንያት ውሽጣዊ ምስሕሓብን/ ናይ ሓድሕድ ቃልስን፣ ተዳኺሙ እዩ። እዚ እዩ'ውን ንናይ «ሓባብ» ኰነ/ ከም ዝመስሉ'ውን ናይ «በጁክ» ስደት እንቂሉ።

እዚ ሃገር'ዚ፣ ካብ ግዳም ናይ ዝመጹ ህዝብታት ሓድሽ-ደም እውን ተሓዊስዎ እዩ። ንኣብነት፣ «እዛር በዓል ሽረ» እተባህለ ኣባሓጎኡ ን ደጊያት-ሰባሁቱ፣ ምሳኦም ይጥቀስ።

ግብሪ፥

ካርነሽም ዝኸፍሎ ግብሪ፣ 1500 ቅርሺ-ባጤራ እዩ ዝነበረ።

ተመልከት፥

ኣብዞም ክልተ ዓበይቲ ጉልቲ *ድምበዛን- ካርነሽም*፣ ዝምረጹ ሹም-ጉልቲ (ስለዚ ብኣኦም ኣቢሉ እውን እቲ መንግስቲ) ኣብ ጉዳያት ሹም ወይ ጭቃ-ዓዲ ኢድ ንምእታው፣ ካብቶም ካልኦት ኣብዚ ሃገር'ዚ ዝርከቡ ሹም-ጉልቲ፣ ፍላይ-መሰል ዘለዎም እዮም። ብግብሪ እውን፣ እቲ «ጭቃ» ዝብል መዝነት፣ ንዘይተወሰነ እዋን ዝምደብ፣ ብናይ ሓባር ስምምዕ መራሕትን-ተመራሕትን እዩ።

ስምምዖም ፈሪሱ ጭቃ-ዓዲ ኣብ ዝቐንጠጡሉ ድማ፣ ሹም-ጉልቲ እዮም ከም ኣዕለዋይ-ስልጣን፣ ብምሉእ ሓላፍነት፣ ይግብኦ ንዝበልዎ ዜጋ፣ ዝመርጹ ነይሮም። እንተኾነ ግና፣ ኣብዚ'ውን ከም ሓፈሻዊ ኣገባብ፣ እዚ ሓድሽ ዝምረጽ ጭቃን-እቲ ብቐድመኡ ዝጸንሐን፣ ሰብ ሓደ-እንዳ ክኾኑ ይግባእ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም።
ደቃ'ተሽም	ፖሊቲካዊ ኩነታት ናይቲ ዞባ ከም ዝሕብር እዞም ሰለስተ ምድሪ፣ ደቃ'ተሽም ብዝብል መጸዋዕታ፣ ሓደ ጉልቲ እዮም ዘቘሙ።	1)- ጻዕዳ ክርስትያን/ 2)- ዓድ ሰጉዶ/ 3)-ወኪደባ 4)- ዳዕሮ ጳውሎስ(ወይ ቃውሎስ)/ 5)- ጉዳይፍ/ 6)- ቁሽት/ 7)-(**)ገጅረት / 8)- ጻዕዳ እምባ/ 9)- ዓድ ሙሳ። እዚ ዓድ'ዚ (ዓድ-ሙሳ)፣ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ምስ ታከለ-ዓገባ እዩ ተጸምቢሩ። (**)እቶም ቀንዲ ተወላዶ ገጅረት፣ ኣብ ጉዳይፍ እዮ መናበሪኦም።
ደቃ ዘርኣይ	ከከም ኩነታቱ ግና፣ ነፍስ-ወከፍ ምድሪ ሓደ ጉልቲ ስለ ዝኾውን ኣብ ሰለስተ ጉልቲ ተኸፊሎም እውን ይመሓደሩ እዮም ።	1)- ሃዘጋ/ 2)- ዓድ ኣብነይ/ 3)-ሽምጅምዕ 4)- ዓደስፈዳ/ 5)- ዓድ ሃብስሉስ/6)-ዓድሸማግለ 7)- ዓድ መርዓዊ/ 8)- (**)ዓድ ያቆብ/ 8)- ዓድ ኣበይቶ ወይ ኣይበቶ። ዓድ ቢደል/ ዓመጺ/፣ እተባህሉ ክልተ ዓድታት፣ ነዊሕ እዋን ርእሶም ክመሓደሩ ጸኒሖም፣ ብራእሲ ወለንኪኦል ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ሃዘጋ ከም ዝኣተው ተገይሩ እዩ። ዓድ ኣበይቶ፣ ርእሱ ዝኸኣለ ዓዲ እዩ። (**) ህዝቢ ዓድ ያቆብ መሬቱ ለቒቑ፣ ኣብ ሃዘጋ ይነብር። ንማሕረሱ ግን፣ ኣብ መሬቱ ይምለስ።
ታከለ ዓገባ		1)- ጸዓዘጋ/ 2)- ዓድ ገብሩ/ 3)- ዓድ ተኸላይ/ 4)- ዓድ ቖንጺ። ብጆግራፍያዊ ኣረኣእያ፣ ውሽጠ-ጉልቲ ኣስመራ/ ቤት-መኻእ/፣ ምስ'ዚ ከበቢ እዩ ፍቕዶም። እቶም ኣብዚ ዝነብሩ ህዝብታት ግና፣ ብዓይኒ-ክበሳ፣ ባዕዳውያን ይበሃሉ። ቤት-መኻእ፣ ናይ በለው ግዝኣት ብምኻኑ፣ ንነዊሕ እዋን በቶም ኣብ ሞንኩሎ ዝርከቡ «ናይባት» እዩ ዝመሓደር ነይሩ።

ናይ ታሪኽ ሓበሬታ፥

እዚ ምድር'ዚ፣ ኣብ መላእ መረብ/ምላሽ፣ ወረ'ውን ኣብ ታሪኽ መላእ ኤርትራ፣ ዓቢ እንዳስነት ዘለዎ እዩ። ነዊሕ እዋን ዝኣክል ኣብዚ እዩ እቲ መናበሪ-ቦታ ላዕለዋይ ስልጣን ዝነበረ። ብዘይካ'ዚ እውን፣ እቲ ኣብ ሞንጎ እንዳታት «ጸዓዘጋ» «ሃዘጋ» እተራእየ ናይ ሓድሕድ-ኩናት፣ ኣብዚ እዩ ዝነበረ ዓውዱ።

እቲ ብሁሕ ዝዕለሎ እንዳሲ ፍጻሜ ምውላድ ቀዳማይ-ምኒሊክ እውን፣ ኣብዚ ምድር'ዚ እዩ ዝኾነ። እቲ ባህሊ ከም ዘዘንትዎ፣ ቀዳማይ-ምኒሊክ፣ ኣብ ማይ-በላ ጥቓ ጻዕዳ ክርስትያን እዩ ተወሊዱ ይበሃል።

ግብረ፥

ስለስቲኡ እዚ ምድርታት ብሓባር፡ 1500 ቅርሺ-ባጠራ እዩ ግብረ-ንጉስ ክኸፍል ጸኒሑ። ካብዚ ድማ፡ 750 ቅርሺ ደቃ'ተሽም ንበይኑ ክጻወር እንከሎ፡ እቲ ዝተረፈ፡ ኣብ ሞንጎ ደቅ-ዘርኣይ/ታከለ ዓንባ ብማዕረ እዩ ዝምቀል ነይሩ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም።
ላምዛ	እዞም ዓድታት'ዚኦም ርእሶም ስለ ዘመሓድሩ በብውልቆም እዮም ግብረ-መሬት ዝኸፍሉ።	1)- ላምዛ (20 ቅርሺ ባጠራ)/ 2)- ዓድ ቀይሕ (2 ቅ. ባጠራ)/ 3)- ዓደብዘማት (30 ቅ.ባጠራ)/ 4)- ዓድ ሃኬፋ (30 ቅ.ባጠራ)/ 5)- ዓድቀ፡ ንቤተ-ክርስትያን «እንዳ-ማርያም» ክናቢ ስለ ዝግደድ፡ ግብሪ ኣይከፍልን ዝነበረ። 6)- ዓድ ጸናፍ (30 ቅ.ባጠራ)/7)-ጉርባዓቲ(10 ቅ.ባጠራ)። ዓድ ጸናፍ/ ጉርባዓቲ/፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት፡ ግብረ-መሬት ን «ምስለነ ደቃ-ተሸም» እዮም ዘረክቡ ነይሮም።

ሓበረታ፥

ዓምቱ ን «ደብር-ቢዘን» ድኣ ግብሪ ይኸፈል እምበር፡ ኣብዚ መሬት'ዚ እዩ ዝኣቱ። ከምኡ'ውን ዓድ ቀሺ/ መርሓኖ/ "ውስጠ-ጉልቲ" ተባሂሎም፡ ኣብዚ መሬት'ዚ እዩ ፍቕዶም።
መብፃሕትኦም ኣብዚ መሬት'ዚ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ዘርኢ ነገደ-ደሀዳ ኢና ይብሉ። ኣብ ሞንጎኦም ግና፡ ዘይተነጸሩ ካልኦት ባእታ እውን ይርከብዎም።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም።
ጉንድ'ውሊዕ ወይ ከበሳ-ጭዋ	ርእሶም ዘመሓድሩ ዓድታት ብምኳኖም በብውልቆም እዮም ግብረ መሬት ዝከፍሉ	1)-ሰላዕ ዳዕሮ(30 ቅርሺ)2)-ዓድጉንበሎ(5 ቅ.) 3)- ዓድ ራእሲ(15 ቅርሺ) 4) ምስጓጕ (15 ቅ) 5)- ዓድ ኳኮዶ(15 ቅርሺ) 6)- ክትሞውሊዕ (30 ቅርሺ)/ 7)- እባርዳእ(30 ቅርሺ)/ 8)-ዓደብነገር(4 ቅርሺ፡ ወይ ክልተ-ፈርጊ/ወይ ድማ ሓንቲ ላሕሚ፡ ከከም ምርጫ ዓዲ። 9)- ዓድ-ሓሙሽተ(4-ቅርሺ/ክልተ-ፈርጊ/ወይ ሓንቲ ላሕሚ)/ 10)- ዓድ ኀዕዳድ(20 ቅርሺ)/ 11)- ዓድ-ሳጕን(ምስ ጳዕዳ-ክርስትያን ሓቢሮም ይግ-ብሩ)። እቲ ብመሰረት ኣዋጅ «ሃጸይ ዳግማይ እያሱ» እተወሰነ ግብሪ፡ ምፍላጡ ስለ ዘይተኻእለ፡ እተጠቕሱ ግብረ-መሬት፡ ን ዘመነ ሃጸይ-ዮሃንስ ይምልከቱ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም።
ሎጎ-ጭዋ	እዚ ክዝብ'ዚ፣ ኣብ ክልተ ፍሉያት ወገን እተኸፍለ እዩ ነይሩ፣ ዛውል ክልክል፡/ ጽልማ።	ሀ)-ዛውል ክልክል፡ 1)-ዓዲ-ዛውል(30 ቅርሺ)/2)-(**)ዓዲ-ሃሎ(5 ቅርሺ)/3)-ዓዲሰልዳይት(5-ቅርሺ)/4)-ዓዲ-ገብሬይ(60-ቅርሺ)/5)-ሕምብርቲ(70-ቅርሺ)/ 6)- ዓዲ ክፈለት(60 ቅርሺ)/7)-ዱዳ(25 ቅርሺ) 8)- ሓበላ(50 ቅርሺ)/9)- ገረመጉዳ(25 ቅርሺ) 10)-ጽላለ(30-ቅርሺ)/11)-ዓዲ ጸናል(30 ቅርሺ)/ 12)-ሽረፈቶ(30-ቅርሺ)/13)-ዓዲ-ሓዮ(10-ቅርሺ)/14)-ሸከት(150-ቅርሺ)/15)-ዓዲ ክልክል፡ (50 ቅርሺ)።
	ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ርእሱ ስለ ዘመሓድር፣ በበውልቶም ግብሪ ይኸፍሉ	ለ)-ጽልማ 1)- ድባርዋ ወይ ዶዋርባ (155 ቅርሺ)/ 2)- ዓዲ ሎጎ (ስለስተ-ገዛታ ክበል ንእንጠረኛታት ንጉስ ተባሂሉ ን "ዓድዋ" ይልእኽ።)/ 3)- ዓዲ ሳምዛ (ምስ ድባርዋ ሓቢሩ ይግብር)/ 4)- ዓዲ በዝሓንስ(30 ቅርሺ)/ 5)-እምኒ ጸሊም (60 ቅርሺ)/ 6)- ዓዲ ነኾዮ (25 ቅርሺ)/ 7)-ዓዲ ባር(60-ቅርሺ)/ 8)-ኣማድር(50 ቅርሺ)/ 9)- ሀርጉድ (25-ቅርሺ)/ 10)- ዓዲ'ርሖ(20 ቅርሺ)/ 11)- ዓዲ ጽንዓይ(50-ቅርሺ)/12)- ዕዲጋ ዱሕና (15-ቅርሺ ን «ደብሪ ወገርሒቶ» እዩ ዝኸፍል ዝነበረ።)/ 13)-(**) ጽንዕቶ(15 ቅርሺ)/ 14)-ዓዲ ገዳ(ን«ሰበ ጊዮርጊስ» እተባህለት ጓል ሃጸይ-ፋሲል እተዋህበ ጉልቲ ተባሂሉ፣ ፍሉይ ዋንነት ናይቲ ሃጸይ እዩ ዝነበረ።)/ 15)- ዓዲ ገረድ(30 ቅርሺ)/ 16)- ታችብዳ(30 ቅርሺ)/17)-ዓዲብዛገ(10-ቅርሺ)/18)-ኩኒኤል(15 ቅርሺ)/19)- ዓዲ በሊሕ(10 ቅርሺ) *ዝበደሙ ዓድታት(**)፥* 1)-ዓዲ'ገልግል/2)-ተማጅላ/3)-ዓዲ'ሕንን/4)-ዓዲ ሓጋርዳብ።ዝተረፈ-ህዝቢ፡ኣብ ዓዲ-ባር ሰፊሩ ኣብኡ'ውን ይሓርስ።

ተመልከት፥

እቲ ብመሰረት ኣዋጅ «ሃጸይ ዳግማይ-እያሱ»እተወሰነ ግብረ-መሬት ምፍላጡ ስለ ዘይተኻእለ፣ እተጠቕሰ ግብሪ፣ ንዘመን «ሃጸይ-ዮሃንስ» ይምልከት።
ብዙሓት ዓድታት ብጥረ-ነገር ይግብሩ። ንኣብነት፣ ዓዲ ገብሬይ/ ዓዲ ክፈለት/ ነፍስ-ወከፎም 20 እንጥላም-ስገም እዩ ግብረ-መሬቶም። ዓዲ ክልክል፡፣ 15 ቅርሺ-ባጤራን/ 12 እንጥላም-ስገምን። ሓበላ፣ 10 እንጥላም-ስገምን/ 5 ገቢታ-መዓር። ዱዳ/ ገረመጉዳ/ ነፍስ-ወከፎም 5 እንጥላም-ስገም/ 2 ገቢታ-ፈረቓን መዓር ይግብሩ ነይሮም። ሽከት፣ 60 ቕርሺ/ 30 እንጥላም-ስገምን።
ብዘይካ'ዚ፣ ነፍስ-ወከፍ እንዳ ን«ደብረ ኣባ-መጣዕ» ሓደ-ቕርሺ ብተወሳኺ ይኸፍል ነበረ። ድባርዋ/ ገዛ-ሳምዛ/ በዚ ቦታ'ዚ ንዝሓልፉ ሰበ-ስልጣን፣ መዕለሊ- ህያባትን ክበርክቱ ይግደዱ። ዓዲ ሎጎ፣ ከም ዝረአናዮ፣ 3 ገቢታ-ከሰል እዩ ክኸፍል ጸኒሑ።
እቲ ብባህርያዊ/ ወይ ብጥረ-ነገር ዝኽፈል ዝነበረ ግብሪ፣ ናብ ገንዘብ እንኪልወጥ፣ ካብ መጀመርታ ናይ ዘለናዮ ክ. ዘመን ኣትሒዙ፣ ማእከላይ-ዋጋ 1 እንጥላም-ስገም= 3 ቅርሺ/ 1 ገቢታ-መዓር ድማ= 4 ቅርሺ ከም ዝነበረ ይፍለጥ።

ብዛዕባ ህዝብታት ከበሳ-ጭዋ/ ሎጎ-ጭዋ።

ኣብዚም ክልተ-ክባቢ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ዝተሓናፈጹ እዮም። ህዝብታት ከበሳን/ ሎጎን፡ ካብ ነገደ-ሚናብ ክኾኑ እንከለው፡ "ጭዋ" ጋላ እዩ መበቆሎም። ያታእም ከም ዘዘንትዎ ድማ፡ እዞም ዳሕረዎት(ጭዋ)፡ ብዘመን «ሃጸይ-ሱስንዮስ» ወይ «መልኣከ-ሰገድ» (1605-1632 ዓ.ም.) እዮም ኣብቲ እዋን ኣብ ሃገርም ካብ ዝጸዓቐ ጥሜት-ሕማም ክምልጡ፡ ካብ ዓድ-እምሓራ ኣሳጊሞም መጺኦም ይበሃል። ኣብ እግረ-መንገዶም ንዝረኸብዎ ሃገር እናዘረፉ ድሕር ምምጻእ፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ክቕሙ ዘገደዶም፡ ድኻምን- እቲ ደድሕረኦም ዝስዕብ ዝነበረ መልኣከ-ሞትን እዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ግን፡ "ጭዋ" ፈጺሞም ደቀ'ባት ኮይኖም፡ ኣብቲ ዝጸንሐ ህዝቢ ተሰንዮም፡ ካብኡ'ውን ኣይፍለዩን። ባህሊ ወይ እንዳዊ ዝኸረታት እንተዘይኰይኑ፡ ፈሊኻ ምንጻርም ዘይከኣል እዩ።

ኣብ ዝኸተሉ ዓድታት ዝጥቀሱ ህዝቢ፡ ብፍላይ እቶም «ነገደ-ሚናብ» ዝበሃሉ እዮም፥

1)-እዛርዳእ/ 2)-ዓድ ሎጎ/ 3)-ዓድ ጸንዓይ/ 4)-ዓድ ሸረፈቶ/ 5)-ዓድ ሓዮ/ 6)-ዴዳ/ 7)-ሓበላ/ 8)-ዝላለ/ 9)-ዓድብዛገ/ 10)-ዓድ ሃሎ።

ኣብዞም ቀጺሎም ዝስዕቡ ዓድታት ግና፡ «ህዝቢ-ጭዋ» ይዕብልሉ፥

1)-ዓድ በዙሓንስ/ 2)-ዓድ ገረድ/ 3)-ኣማድር(ኣብዚ፡ ውሑዳት ካብ ነገደ-ሚናብ ዝውለዱ ህዝቢ እውን ይነብሩ እዮም)/ 4)-ተማጀላ(ከም እተጠቕሰ፡ ዝተረፉ ሰብ-ዓድ'ዚ፡ ኣብ ዓድ-ባሮ እዩ ናብራኦም)/ 5)-ሠርጉደ/ 6)-ሰላዕ ዳዕሮ/ 7)-ቃቕብዳ/ 8)-ክትምውሊዕ(ምስ ውሑዳት ኣብ ዓድ-ቖንጺ ዝውለዱ/ 9)-ዓድ ራእሲ/ 10)-ዓደብንገር(ምስ ውሑዳት ኣብ ጻዕዳ ክርስትያን ዝውለዱ) 11)-ዓድ ቀሺ/ 12)-ዓድ ሰልዳይት።

ኣብዞም እተጠቕሱ ዓድታት፡ እቲ ካብ ጥንታዊ ነገደ-ሓማሴን ዝፈረየ ውሑድ ህዝቢ፡ መሬት ዘይውንን እዩ። ጭዋ እዮም ንብምሉእ'ቲ መሬት ወንንቱ።

ኣብቶም ዝተረፉ ዓድታት ናይዚ ክልተ-ክባቢ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ዝተሓናፈጹ ብምዃኖም፡ ሓደ-ሓደ እዋን ክልተ-ኹም ወይ ጭቃ-ዓዲ(ማለት ሓደ ንነፍስ-ወከፍ ዓሌት) ኣብ ምምሕዳር ሓደ-ዓዲ ከጋጥሙ ሳሕቲ ኣይከውንን። ኣብ ካልእ እዋናት ድማ፡ ካብ ጉዲም ኮነ/ ካብቲ ሓድሽ ነገድ እናተባራረዩ፡ ሓደ ንምሉእ ዓዲ ዘመሓድር ጭቃ ይምረጽ ነበረ። እቲ ነዚ ዝውስን ረቛሒ ግና፡ብዝሒ ወይ ዕብላለ ናይ ሓደ-ነገድ ዶ ? ወይሲ ካልእ ምኽንያት ምንባሩ፡ ክፍለጥ ኣይከኣልን።

ንኣብነት፡ ካብ ነዊሕ እዋን ብዝመጸ ልምዲ፡ ኣብ "ሽኮቲ" ዝምረጽ ጭቃ-ጉዲ፡ ካብ ወገን ጭዋ ክኸውን ይግባእ ነበረ። ጭቃ «ዓድ-ክልክል-ቲ» ኣብ በዓል-መስቀል ብማሕበር ዓዲ ተመሪጹ፡ ንሓደ-ዓመት ኣብ ስልጣን ይጸንሕ። ኣብ ሰላዕ-ዳዕሮ እውን፡ ጭቃ-ዓዲ ብምርጫ ይሰየም። ካብ ጥንቲ ብዝጸንሐ ባህሊ ግና፡ ንሓደ ወርሒ እዩ ጥራሕ ዘገልግል።

መብዛሕትኡ ህዝቢ ዓድ-ዛውል/ዓድ-ክልክልትን፡ካብ ነገደ-ሰለባ እዩ ትውልዱ።ምስ ወኪ(ካርነሽም) ዝምድና ሃልዩዎም ድማ፡ ዘርኢ-ለዊ ምዃኖም ይኣምኑ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም።
ወቕርቲ	ሓደ ጉልቲ	1)-ወቕርቲ/ 2)-ዝባን መንገብ/ 3)-ዓድ ዛምር/
ሰሓርቲ		1)-እምበይቶ/ 2)-ዝግብ/ 3)-ዓደ'ርዓዳ/ 4)-ጸሉት/ 5)-ዓደ'ሕደሮም/ 6)-ዓድ ሓውሻ 7)-ቆዳዱ።

ህዝቢ፥ ህዝቢ ወቕርቲ፡ካብ እምባ'ስነይቲ ኣብ ትግራይ እዮም መጺኦም። ህዝቢ-ሰሓርቲ «ነገደ-ዮሴፍ» እዮም ዝበሃሉ።

ግብሪ፥ እዚ ጉልት'ዚ ዝኸፍሎ ዓመታዊ ግብሪ፡ 500 ቅርሺ-ባጠራ እዩ ዝነበረ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት ብብክፍሎም።
ሊባን	ሓደ ጉልቲ	1)-ወገርሕቆ። ኣብ ሰለስተ እኩብ ይኽፈል፤ ሀ)-ዓድ-ላዕላይ/ለ)-ዓድ-ታሕታይ/ሐ)-ደብረ።ኣብዚ «ደብረ»ኢተባህለ-ዓዲ፤ቤተ-ክርስትያን/ውሑዳት-ኣባይትን ይርከቡ። 2)-ማራት ገብሩ። እዚ ጉልት'ዚ ብወገን ባርካ ሰፊሕ-መሬት ይውንን።ካብዚም ጎሶት/ሓረስቶትን ዝተበርዎም ቁሸታት፤ «መቻሕ» ክጥቀስ ይከኣል።

ህዝቢ፥

መብዛሕትኡ «ዘርኢ-ዮሴፍ» ኢና ዝብል እምነት'ኳ እንተሃለዎ፤ ካብ ብጾት ገብረ-ታረቀ ርእሰ ነገድ ህዝቢ ቦጎስ ኣብዚ ምስ ቆመ ዝሓደግዎ ዘርኢ፤ ሕዋስ ኣገው እውን ይረኽብዎም እዩም። ሎሚ ግን፤ ፈጺሞም ምስቲ ህዝቢ ተሓዋዊሶም፤ ትግርኛ እዩ ቋንቋኦም።

ግብሪ፥

500 ቅርሺ-ባጤራ(ማርያ ተሬዛ) እዩም ዝግብሩ ነይሮም።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት ብብክፍሎም።
ሰፍኣ	ሓደ ጉልቲ	1)-ዓድ ፈለስቲ/ 2)-ማላ/ 3)-ዓድ ናህባይ ላዕላይ/ 4)-ዓድ ናህባይ ታሕታይ/ 5)-ዓድሜዳት/ 6)-ዓድ ጉላ/ 7)-ዓድ'ሕፈሬ/ 8)-ባምቡቆ/ 9)-ቤት ገብርኤል/ 10)-ምዕራፍ ታቦት/ 11)-ዓድ'ንጸላ። እዚ ጉልት'ዚ'ውን ብወገን ባርካ ሰፊሕ መሬት ይውንን። ካብታቶም ድማ፤ ጎሶት/ ሓረስቶትን ዝተበርዎም ቁሸታት፤ ኣርጋይል-ደምበ ወድ ማዕፍ-እምባረ-ዓድ'እሊ- ክጥቀስ ይከኣሉ።

ህዝቢ፥

እዚ ህዝብ'ዚ «ዘርኢ-ሩበን» እዩ ዝበሃል።

ግብሪ፥

ብመሰረት ኣዋጅ «ሃጸይ ዳግማይ እያሱ» እዚ ምድሪ ክኸፍሎ ዝግባእ ግብሪ፤ 500 ቅርሺ እዩ ዝነበረ። «ሃጸይ-ዮሃንስ» ግን፤ ክሳብ 700 ቅርሺ-ባጤራ ኣስጊርዎ ጸኒሑ።

ኣገደስቲ ቦታ፥

እቲ ኣብ መላእ ምድሪ-ሓማሴን ብዙሕ ኣኽብሮት ዝግበረሉ ቤተ-ክርስትያን «ደብረ እንድርያስ»፤ ኣብዚ ክባብ'ዚ ይርከብ።

ማይ-ኣልቦ ዝበሃል ሰፊሕ ዓድ'ውን፤ ኣብዚ ምድር'ዚ እዩ። እዚ ዓድ'ዚ፤ ብቕድሚ 20 ዓመት በቲ ኻኖ ብሀይወቱ ዘሎ(ሽዑ) ናይቲ ዓዲ ኣመሓዳሪ «ከንቲባ-ማና» እዩ ተመስሪቱ።

ከንቲባ-ማና ምስ ሓድሓደ ዓድታቶም ዝለቐቑ ሰባት ተሓባቢሩ እዩ፡ ኣብዚ ምድረ-በዳን/ግዳይ-ዝረፋ ብሄረ-ባርያ ኰይኑ ዝጸንሐ ፍርያምን-ስዑሕን መሬት፡ ነዚ ዓድ'ዚ መስረቱ።

ማይ-ኣልቦ ብቋንቋ ትግርኛ፡ማይ ዘይርከቦ ቦታ ማለት እዩ። ብሓቁ'ውን፡ከንቲባይ-ማና ኣብ ከውሒ'ኹዒቱ ብሉጽን- ንመላእ ዓዲ ዘርውን ማይ ቅድሚ ምፍልፋሉ፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ማይ ኣይርከብን ዝነበረ።

ማይ-ኣልቦ፡ ኣብቲ ንባርካ ገጹ ዘብል ናይ መወዳእታ ገማግም ደብ ምድረ-ሰፍሕ'ኳ ዝርከብ እንተኾነ፡ ውስጠ-ጉልቲ ተባሂሉ ካብ ምድረ-ሰፍሕ ምንጻል እዩ ትምኒቱ።

ሓማሴን ዝኸፍሎ ግብረ-መሬት፡ ብድምሩ

ማእከላይ ገምጋም ዋጋታት ብመሰረት ናይቲ ካብ መጀመርታ ናይዚ ክፍለ-ዘመን ዝጸንሐ ናይ ዕዳጋ ክብን-ለጠቕን ተገሚቱ፡ እቲ ግብረ-ንጉስ ተባሂሉ ብጥረ-ነገር እውን ዝኸፈል ዝነበረ ግብሪ ኣብ ቅርሺ ተለዊጡ፡ ወረዳ-ሓማሴን ብጠቕላላ፡ 7.300 ቅርሺ-ባጢራ ዝግመት ገንዘብ እዩ ክግብር ጸኒሑ።

ውስጠ-ጉልቲ ወረዳ ሓማሴን

ምድሪ	ጉልቲ	ሓበሬታ
ኣስመራ	ደቃ'ተሸም	ዝኸፍሎ ግብሪ 50-ቅርሺ ኰይኑ፡ ብቶም ኣስመሮ-ጎረቶም-ብረንዝሪ- እተባህሉ ስለስተ-እንዳታት እዩ ብምሉእ ዝኸፈል ነይሩ። ጽግለ እተባህለ ሬብዓይ-እንዳ ዝኸፍሎ ግብሪ ድማ፡ ሓደ-እንጥዓም ሰንም ነፍሰ-ወከፍ ዕድመኡ ዘፍቅዶ ስብኣይ እዩ ዝነበረ።
ቤት-መኻእ	ደቃ'ተሸም	እቶም ኣብዚ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ንገደ-በለው እዮም። ስለ'ዚ እዩ እዚ ዓዲ ከሳብ'ዚ ቀረባ እዋናት፡ ጉልቲ ናይቶም ርእሰ-ነገድ ዝበሃሉ «ናይባት ምንክሎ» ኰይኑ ጸኒሑ። እተጠቕሱ ናይባት፡ኣብ ካልእ ቦታ ኢትዮጵያ'ውን ካልእ ጉልታት ይውንኑ እዮም። ከም ኣብነት፡ እምኒ-ጸሊም/ ጋብላ ቀላይ እተባህለ ኣብ ጥቓ ድባርዋ ዝርከብ መሬት/ ዓድ ሓረ ዝበሃል ኣብ ጥቓ ዓድ-ወግሪ/ ካልእ መሬት ኣብ ከባቢ ኾርባርያ/ መሬት-ዓድታትን ኣብ ደቃ-ተሰፋ/ ክሳብ እንትርሙ- ሰረሮ እውን ከይተረፈ፡ ክጥቀሱ ይከኣሉ። ቤት-መኻእ፡ ኣብቲ ሎሚ «ፎርተ-ባልዲሰራ» ዝርከበሉ በረኽቲ እዩ ነይሩ ቦታኡ። እቶም ኣብኡ ዝነብሩ ተቐማጦ፡ ነዚ ናይ ኢጣልያ ወታሃደራዊ-ዕርዲ ቦታ ንምግዳፍ፡ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰ 1889 ዓ.ም. ካሕሳ-ተኺሊሶም ካብኡ ለቒቖም፡ ኣብ ምዕራባዊ-ወገን ናይቲ "ፎርተ" ለጠቕ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ቦታ፡ ስም ከይለወጡ፡ ሓድሽ ቁሸት መስረቱ። ቤት-መኻእ፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ዝኸፍሎ ዝነበረ ግብሪ፡ 5 ቅርሺ እዩ ነይሩ።

ዓድ ኣበይቶ	ደቅ ዘርኣይ	ነፍስ-ወከፍ ዕድመኡ በጺሑ እተባህለ ሰብኣይ፣ ሓደ-እንጥላም ስገም፣ እዩ ዝግብር። እቲ ህዝቢ፣ «ዘርኢ-ለዊ» ምዃኑ ይኣምን።
ዓድ ቢደል ዓመጺ	ደቅ ዘርኣይ	ዓድ ቢደል 20 ቅርሺ/ ዓመጺ 12 ቅርሺ እዮም ግብረ ዝኸፍሉ ነይሮም። እቲ ህዝቢ ካብ ድምበዛን ዝመጸ ኮይኑ፣ ኣባል ናይቶም ከም «ጠንቀ-ጸምፋይ» ዝፍለጡ ህዝቢ እዩ። ጠንቀ-ጸምፋይ፣ ምስቶም ካብ ድምበዛን ዝመጹ ቤት-ታዓቂ እውን ይዛመዱ እዮም።
ዓድ ንፋስ	ካርነሽም	ዝኸፍሉ ግብረ-መሬት፣ 30 ቅርሺ እዩ ነይሩ። እዚ ዓድ'ዚ ብቲ ንህዝቢ-ሓባብ እውን ዝፈረየ «ኣስገደ» እተባህለ ካብ ዘርኢ-ሚናብ እዩ ተመስሪቱ።
ዓድ ቀሺ	ላምዛ	30 ቅርሺ እዩ ዝኸፍል ነይሩ። ዝነብርዎ ህዝብታት ጋላ-ጭዋ እዮም።
ዓድ ገዳ	ጽልማ	ክፋል ናይቲ ን «ሰበነ-ጊዮርጊስ» ጓል ሃጸይ-ፋሲል እተዋህበ ገዝሚ ብምዃኑ፣ ናብ ዘውደ-ዝፋን እተመልሰ ብሕታዊ-ዋንነት እዩ።
መርሓኖ	ላምዛ	20 ቅርሺ እዩ ግብረ-መሬቱ። ዝነብሮ ህዝቢ፣ካብ ጭዋን ካብ ጸዓዘጋን ብዝመጹ ህዝብታት እተሓናፈጸ እዩ።ጭዋ እዮም ግን ወነንቲ መሬት።

****

ኣብ መፈጸምታ 1902 ዓ.ም. ኣብ ሓማሴን ብገምጋም ይነብሩ ነይሮም ዝበሃሉ ተቐማጦ ህዝብን/ ፍቕዲ ጥሪት ከብትን/ ጠለ-በጊዕን።

	ቍ. እንዳታት	ከብቲ	ጠለ-በጊዕ
ሽውዓተ ዓንሰባ	176	299	915
ድምበዛን	1200	2151	6406
ካርነሽም	954	836	3589
ደቃ'ተሽም	175	378	1427
ደቅ ዘርኣይ	200	338	895
ታክለ ዓገባ	170	215	789
ሳምዛ	128	195	520
ከበሳ-ጭዋ	135	264	917
ዛውል ከልከልቲ	340	821	1654
ጽልማ	249	475	1031
ወቐርቲ	35	34	128
ሰሓርቲ	149	150	515
ሊባን	78	137	440
ሰፍኣ	63	65	166
ማይ ኣልቦ	25	76	110
ኣስመራ (ህዝቢ ክርስትያን)	148	246	792
ኣስመራ (ኣብ ቁሸት ብርሃኑ ዝነብሩ እስላም) (1)	85	30	30
ኣስመራ (ኣብ ዕዳጋ ደቀ'ባት ዝኾብልሉ) (2)	150	30	30
ቤት-መኻእ	10	46	100
ዓድ ንፋስ	73	252	620
ዓድ ኣበይቶ	26	98	305
ጠቕላሊ ድምር....	4.219	7.006	21.349

----

(1)- መብዛሕትኦም ኣብዚ ቁሸት'ዚ ዝነብሩ እስላም፡ ሽቃሎ እዮም።

(2)- ኣብ ንኡስ-ንግድ ዝዋፈሩ ዜጋታት።

ብዛዕባ ውሽጣዊ ስርዓት ሓማሴን

ኢጣልያ ከበሳ ብዝኣተና፡ ብዘይካ ኣብ ሓድሓደ ብፍላይ ሓበረታ እተዋህቦም ምድሪ ዝጸንሑ *ሹም-ዓዲ/ ሹም-ጉልትን፡* ብርግጽ ብመስመር ውርሻ እተመርጹ ሹማምንቲ እዮም ኣብ ምምሕዳር ጸኒሖም። ሹም-ዓዲ ግና፡ብዘይካ ሹም-ጉልቲ ዘጽደቖ ፍቶትን-ይጠበቕልካን፡ እዚ ስልጣን'ዚ ኣይፍቀዶን ዝነበረ።

ሹም-ዓዲ፡ ብሹም-ጉልቲ ይቕየድ። ሹም-ጉልቲ እውን ብወግኑ፡ ብፍቓድ-ሓላፍትትን ንጉስ-ነገስት ወይ ንዓኡ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝውክል *ሹም-ነጋሪት* እዩ መዝበቱ ዝጸድቕ።

መኺንንቲ ደቀ'ባት ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት፡ብዞም«ሹም-ነጋሪት»እተባህሉ ሰበ-ስልጣን እዮም ተተኪኦም።

ኩሉ ከም ዝፈልጦ፡ ሹም-ነጋሪት መረብ/ምላሽ፡ "ራእሲ-እሉላ" እዩ ዝነበረ። ራእሲ-ቢትወደድ (ምስለኔ) ተባሂሉ ምስ ተላእከ ድማ፡ እቲ ንንጉሰ-ነገስት ብፍላይ ዝውሰን ዝነበረ መሰል ህየትን-ሞትን ደቅ-ሰብ እውን ከይተረፈ፡ ከም ሓለፋ ተዋሂብዎ እዩ ጸኒሑ።

ርእሰም ናይ ዘመሓድሩ ዓድታት ኩነ/ ውስጠ-ጉልቲ ዘመሓድሩ ሹም-ዓዲ ዝስዮም፡ ሹም-ነጋሪት እዩ።

ንክልተ ከምዚኦም ዝኣመስሉ ዓድታት ዝምልከቱ ናይ ነገር ጉዳይ ኩኑ ወይ ንሓደ ከምዚኦምን(ርእሱ ዘመሓድር ዓዲ/ውስጠ-ጉልቲ) ኣባል ሓደ ዓዲ ጉልቲ ዝኾነ ዓድን ዘጋጥሙ ጸገማት፡ ብራእሲ ይዳንዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ክልተ-ስሩዓት ጉልቲ ዝለዓሉ ነገር፡ ራእሲ እዩ ዳይናእም።

ብእካል ምጉዳል ዝውስኑ መቕጸዕቲ ኩነ/ ናብ ምዝራፅ ገጾም ዘምርሑ ነገር ሕጉ-ዝናት (ፐናለ) ይግባይ ኣብ ዝበሃሉም፡ ናብ ራእሲ ይቕርቡ። እቶም ብፍርድ-ሞት ዝቕጽዑ ዝነናት ግና፡ ድሮ ኣብ ቀዳማይ-ደረጃ፡ ራእሲ ይውስኖም።

ኣብ ትሕቲ ምምሕዳርም ዝርከብ መሬት ናይ ዝነብሩ ህዝብታት ሕገ-መንበር(ቺቪለ)ይኹን፡ ናይ ምእራም-ስጉምቲ ንዝምልከት ጉዳያት፡ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ፡ብ ሹም-ዓዲ/ ይግባይ ኣብ ዝበሃለሉ፡ ብሹም-ጉልቲ፡ ክልቲኦም ግን ብባይቶ-ዓዲ ተሰንዮም ይፍረዱን-ይዳነዩን።

እዚ ኣገባብ'ዚ ፍጹም እዩ ዝነበረ። ከምዚ'ሉ ዋላ'ቲ ዘይጠቅም ኣብ ሞንጎ ዚጋታት ክልተ እተፈላለዩ ዓድታት ዘጋጥም ዘይምርድዳእ፡ኣብ ቤት-ፍርዲ ሹም ጉልቲ ይቕርብ።

ሰብ-ነገር፡ ኣባላት ናይ ክልተ ፍሉያት ጉልቲ ምስ ዝኾኑ፡ ሹም-ነጋሪት ይጽዋዕ። ናይ ጊዜን-ገንዘብን ክሳራ ንምእጋድ ግና፡ ተገደስቲ ወገናት ብስምምዕ፡ ነገሮም ብማእከላይ-ሽማግለ ክዳንዮዎ ይፍቀድ። ርእይቶ ዳይና(ዳኛ)፡ ይግባይ ኣይበሃሉን።

እቲ ብባይቶ-ዓዲ ዝውሰን ንውስጠ-ጉልቲ ዝምልከት ምቅሊት ግብረ-መሬት፡ *ብሹም-ጉልትን/ ሹም-ዓድን ተኣኪቡ፡ ን ሹም-ነጋሪት ይመሓላለፍ።*

ኣብቶም ሕውስዋስ-ህዝቢ ዝነብርዎም ምድሪ ናይ ዝርከቡ ዓድታት ዝውሰን ዓመታዊ ግብሪ፡ ሓንሳብን-ንሓዋሩን ብሃጸያዊ-ስልጣን ይውሰን። እቲ ከምዚ'ሉ ዝእከብ ግብሪ ድማ ኣብ እዋኑ፡ ሃጸያዊ ወኪል ተባሂሉ ንዝለኣኽ «ምስለኛ» ወይ «ምስለኔ» ኢኻ ተረኺቡ።

ኣብቲ መግዛእቲ-ትግራይ ንዓሰርተ ዓመት ዝጸንሓሉ እዋናት፡ እዚ ወረዳ'ዚ ብዘይካ ንጉሳዊ-ግብሪ፡ቀለብ መግዛእታዊ-ሰራዊት ተባሂሉ ብጥረ-ነገር ዝወሃብ«ፈሰስ» ምብር-ካት እውን፡ ግዴታኡ እዩ ዝነበረ።

ፈሰስ፡ ብሹም ወይ ጭቃ-ዓድን "ኪደረ" ምስ ዝበሃል እቲ ጭቃ ባዕሉ ዝመርጾ ተሓባባርን፡ ይውህለል።

ተመልከት፥ ኣብ ዝስዕቡ ሓበረታ፡ኣብ ነፍስ ወከፍ ክፍሊ-ምድርታት ሓማቤን ዝርከቡ ሓለፍቲ ወይ ሹም፡ ዝነበሮም ደረጃ-ስልጣን ክጥቀሱ እዮም።

1)- ሸውዓተ ዓንስባ፥

ኣብ ሸውዓተ-ጉልቲ ይኽፈል። ጉልቲ *ዓድ'ሃንስ* ን «ገዳም ሰላሲ ጻዕዳ እምባ» ግብሪ እናኸፈለ፡ ብመስመር-ውርሻ ዝምረጹ ክልተ-ሹም፡ ሓደ ኣብ *ዓድ'ሃንስ* እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ *ደብር'ሃንስ* ይርከብዎ።

መዝነቶም፡ብሓላፊ ናይቲ ገዳም ይጸድቕ። ባይቶ-ዓዲ፡ ኣብ *ዓድ'ሃንስ* ይውዕል። ሹም ናይዚ ዓዲ እዩ'ውን ከም ኣቦ-መንበር ዝመርሖ።

ጉልቲ *ደቅ ዳሽም*፡ ሰለስተ ብውርሻ ዝምረጹ ሹም ይርከብዎ። ክልተ ካብኣቶም ድማ፡ ሰብ ዓድ-ዳሽም እዮም። ዓድ-ዳሽም፡ ገዛ ዓድ-ህብተስ/ገዛ ዓድ-ዕንቁር/ ኣብ ዝበሃሉ ክልተ ንጹራት ወገን ይኽፈል።

እቲ ሳልሳይ-ሹም፡ ናይ *መቐርካ* እዩ።

«ባይቶ» ኣብ ዓድ ዳሽም ይእከብ። ዝመርሖ ሹም ድማ በዓል ገዛ ዓድ-ህብተስ እዩ።

ጉልታት ደቅ-ሻሓይ/ ምለዛናይ/ ዘመሓድሩ፡«ክንቲባይ» እተባህሉ ብመስመር-ውርሻ እተመርጹ ክልተ ሹም-ጉልቲ እዮም። ብዘይካኦም ድማ፡ካልእ *ሹም ወይ ጭቃ* እይር-ከቡን።

ንመላእ ጉልቲ *ደቅ-ንኣምን* ዘመሓድር እውን፡ ሓደ «ክንቲባይ» እዩ። ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ግን፡ በብዓመቱ ዝምረጽ ስለዚ'ውን «ሓለቓ-ዓመት» ዝበሃል ሓላፊ ይርከቦ። ሓለቓ-ዓመት፡ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ኣቢሉ ዝውዕል በዓል-መስቀል ይምረጽ። ምርጫኡ ብክንቲባይ ምስ ጸደቐ ድማ፡ ስልጣኑ ወግዓውነቱ ይለብስ።

ኣኸራናት ዝጸዓቕዎ-ሃብታም እውን ዘይበሃል ጉልቲ *ደርሰነይ*፡ ብውርሻ ዝምረጽ ሓደ ሹም ይርከቦ።

2)- *ድምበዛን*፥

በቶም "ሹማግለ" ወይ "ልኡላን" ዝበሃሉ ደርቢ ዝምረጽ «ክንቲባይ» እዩ ዝመሓድር ዝነበረ። ኣብዚ ክባብ'ዚ ዝፍቀድ ስልጣን ግን፡ ብውርሻ ኣይኮነን ዝመሓላለፍ። ኣብ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን፡ (ኣብ መጀመርያ እዋናት መግዛእቲ-ኢጣልያ ምኽኑ እዩ) ኣብ ድምበዛን፡ ብውዲት/ ናዕቢ/ ቅትለት/ እዩ ወትሩ እቲ ናይ ምምሕዳር-ስልጣን ዝረጋገጽ።

እተጋህዱ ሰንሰለታዊ-ቅትለታት፡ ብክንቲባይ-ተድሮስ በዓል ዓድ-እሉስ እዩ ጀሚሩ። ክንቲባይ-ተድሮስ፡ ንቲ ብትውልዲ ኣባል እንዳ ዓድ-ክፍሉም ዝኾነን/ ኣብ ስልጣን ዝጸንሖን ክንቲባይ-ዕሻል ቀቲሉ ክብሩ ምስ ዘረፎ እዩ ድማ፡ ነገሮም ተላዒሉ።

ዓድ-ክፍሉም፡ ቦኸር-ጨንፈር እንዳ-ገብረስላሴ እዮም። እቶም ዘመናት ብዝወሰደ ውሽጣዊ-ቃልሲታት ተዳኺሞም ዝተረፉ ዓድ-እሉስ ኮኑ/ ዓድ-ተኸለሃይማኖት እውን፡ ካብዚ እንዳ'ዚ እዩ መበቆሎም።

ንቲ ብዘረፋ፡ ኣመሓዳሪ እተሸመ ክንቲባይ-ተድሮስ፡ ሓው መዋቲ ክንቲባይ-ዕሻል ክንቲባይ-ልጃም በዓል ዓድ-ክፍሉም እዩ ተኪእዎ። ክንቲባይ-ልጃም፡ተኸታሊ ደጊያት-ውቤ ብምንባሩ፡ ብኣኡ ብውቤ እዩ'ውን እቲ ሓላፍነት ተረኪብዎ።

ንልጃም ግን፡ ክንቲባይ-ጊለት እተባህለ በዓል ዓድ-እሉስ ድኣ ተጻረሮ። ክንቲባይ-ጊለት ብግደኡ፡ ተኸታሊ ሃጸይ-ተድሮስ ብምንባሩ፡ ምስ ዓወት ናይቲ ሃጸይ እዩ ስልጣኑ ኣረጋጊጹ። ስለ'ዚ ደጊያት-ውቤ ምስ ተሳዕረ እዩ ክንቲባይ-ልጃም መዓርጉ ተቐንጢጡ።

ክንቲባይ-ጊለት፡ ክእመን ዘይከኣል ጨካን እዩ ተፈጥሮኡ። ንመቕጻዕቲ ናይቲ ኩሉ ዝፈጸሞ ገበናት እዩ ድማ በቶም ኣሕዋት ዝኾኑ ራእሲ-ወልደንኪኤል/ደጊያት-መር-እድ/ ተቐቲሉ።

ሓደ ካብቲ ዝዝንተወሉ ግፍዕታት ክንቲባይ-ጊለት፡ ብፍላይ ነዞም ሕነ-ዝፈደዩ ክልተ ኣሕዋት እዩ ዝምልከት ነይሩ። ወላዲቶም ንበዓል ራእሲ-ወለንኪኤል -ደቃ ካብ ዓዲ ኣርሒቖም ኣብ ዝነበርሉ- ምስ ክልተ ደቅ-ደቃ(ሓደ ወድ-ራእሲ ወለንኪኤል እቲ ካልኣይ ድማ ወድ-ደጊያት መርእድ) ኣብ ቤተ-ክርስትያን ተዓቍባ ከተብቅዕ፡ ክንቲ-ባይ ጊለት ኣንጻር «እንዳ-ሃዚጋ» ብዘልዓሎ ሕነ፡ ንሰለስቲኦም ካብ ቤተ-ክርስትያን ኣውጺኡ ብጥሜትን-ጽምእን ክሞቱ ፈረዶም። እዚ ክይኣኽለ፡ ኣብ ዘሰክሕ ጸዕረ-ሞቶም እንጌራን-ማይን ብዝሓተቱ፡ ባሜ እውን ከዩናሕሰዩ፡ ዒባ-ሽንትን ይልእከሎም ነበረ።

ንክንቲባይ-ጊለት፡ክንቲባይ-ናሽሕ ወድ ክንቲባይ-ልጃም በዓል ዓድ-ነኩሉ-ም እዩ ተኪ-እዎ።

ክንቲባይ-ናሽሕ፡ብእዋኑ ኣብ መሳርዕ ሃጸይ-ዮሃንስ ተሰሊፉ፡ ምሳኡ ሓቢሩ ኣብ ኩሉ'ቲ ኣብ ዝፋን-ንግስነት ዘብጽሖ ስርሒታት ስለ እተሳተፈ፡ ብሃጸይ-ዮሃንስ እዩ «ክንቲባይ» ተባሂሉ።

ነዚ ንምጽራር እዩም ዓድ እሎስ፡ ሓድጉ'ንበሳ(ሓድግንበስ) ብእተባህለ ወድ-ክንቲባይ ጊለት ተመሪሖም፡ ኣባና(ኢጣልያ)ተጸምቢሮም።

1890 ዓ.ም. ኣብ መጀመርታኡ፡ ክንቲባይ-ናሽሕ ካብ መጻርርቱ ንምምላጥ ኣብ ባጽዕ ተዓቚቡ ድሕር ምጽናሕ፡ ኣብኡ'ውን ምስ ሞተ፡ ሓድጉ'ንበሳ 300 ጠበንጃ ኣብ ኢድ እሙናት ሰዓብቱ ኣሰሊፉ (መብዛሕትኦም ኣዝማዱ)፡ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ኣብ መሳእ ድምበዛን ዝፍራሕ ሓለቓ ኩነ።

ብሳዕለዋይ-ጽፍሒ ዝወሃቦ ትእዛዛት ብዘይምቕያዱን/ እቲ በብእዋኑ-እናኣዛየደን ዘቕርቦ ዝነበረ ናይ ዕብለላ ጠለቡን/ እናዓበየ ዝመጸ ናይ ነጻነት ዝምባለታቱ/ ከሳብ ኣብ ልዕሊ ደቅ-ሰብ እውን ናይ ህየትን-ሞትን መሰል፡ ብትዕቢት ክጥቕልል ምፍታኑ (ኣብቲ ዝኸፍአ ፋሉላዊ-ዘመናት'ኳ ኣብ ኢትዮጵያ ተሰሚዑ ብዘይፍለጥ ኣገባብ)/ ስለዚ እውን ከም ዝበሃል፡ "በረ" ንእተባህለ ዘመድ ክንቲባይ-ናሽሕ ኣቕቲሉን፡ ብርግጽ ድማ፡ ዘመዱ ከሕውየሉ ንዘይክእለ ሓኪም ወደ'ባት፡ ዝከኛ ኢሉ ፈሪዱን-ኣቕቲሉን።

በዚ ምኽንያታት'ዚ እዩ ድማ መንግስቲ-ኢጣልያ ብረቱ ቀንጢጡ፡ኣብ ዓሰብ ሓይርዎ።

3)- ካርነሽም፥

እቲ ኣብዚ ሀዱእ ዞባ'ዚ ዝነብር ህዝቢ፡ መበቆሉ'ኳ እተፈላለየ እንተኾነ፡ ብቕድሚ ሽድሽተ ወይ ሸውዓተ ወለዶ ኣቢሉ ይኸውን፡ ካብ ሽረ መጺኡ ኣብዚ ዓዲ ዝቖመ እንዳ እዩ ዘመሓድር።

ብዙሓት ዜጋታት ናይዚ እንዳ'ዚ፡ሰብ-ቅውም ነገር ተባሂሎም፡ በቶም "ነበር" ዝበሃሉ ደቅ-ዓዲ፡ ብዙሕ ኣኸብሮት ዘትረፉ እዮም። ከምዚ'ሉ እዩ ንኣብነት«በኺት» ኣብ መሳርዕ ደጊያት-ሃይሉ ተሰሊፉ ጸኒሑ ብጅግንነት ስለ እተዋግአ፡ ደጊያት-ሃይሉ ባዕሉ፡ ክንቲባይ-ካርነሽም ኢሉ ሰምዩ፡ ብሃጸይ-ተድርስ እውን ከም ዝፍለጥ፡ ኑቲ ስልጣን ኣጽዲቑ።

ንክንቲባይ-በኺት፡ «ስባህቱ» እተባህለ ቦኽር-ውላዱ እዩ ወሪሲኡ። ስዒቡ'ውን ሃጸይ-ዮሃንስ፡ ንምምሕዳር ክንቲባይ-ስባህቱ እጽደቑን-ተቐበሎን። ስለ'ዚ ዓቢ ግምት እዩ ድማ፡ ሃጸይ-ዮሃንስ ንክንቲባይ-ስባህቱ፡ ልብሲታት-ሃሪ/ ናይ ክብሪ-ብረት/ ብሉጻት ኣፍራስ/ ዝኣመሰሉ ህያብ ከም ልምዲ ክወፍየሉ ጸኒሑ።

ራእሲ-ኣሉላ እውን ኣብተን ምምሕዳር መረብ/ምላሽ እተፈለጠሉ ኣርባዕተ ናይ መጀመርያ-ዓመታት፡ ንክንቲባይ-ስባህቱ ዓቢ ግምት እዩ ክህቦ ጸኒሑ። ስዒቡ ግን፡ ክጻቕጦን-ክንጽሎን ፈተነ። ነዚ ምጽዋር ምስ ስኣነ እዩ ክንቲባይ-ስባህቱ ብኢጋ፡ ሓደ ካብቶም ኣባና(ኢጣልያ)እተሰለፈ ኣመሓዳሪ ኩይኑ፡ ብብዝሒ ብረት ተዋሂብዎ። ብዘይካ እዚ'ውን፡ «ደጊያት» ዝብል ልኡል ወታሃደራዊ-መዓርግ ምስ ተፈልጠሉ፡ እቲ ክንቲባይ ዝብል "ሲቪላዊ-መጸውዒ" ንቦኽር-ውላዱ ተመሓላለፈ። ካልኣይ ውላድ ደጊያት-ስባህቱ፡ «በላምበራስ» ዝብል ወታሃደራዊ-ሽመት እዩ መዓርጉ።

4)- *ደቃ'ተሽም/ ደቅ ዘርኣይ/ ታከለ ዓገበ/*፥

ድሮ ከም እተጠቕሰ፡ እዚ ሰለስተ ምድር'ዚ፡ ክከም'ቲ ዝፍጠር ፖሊቲካዊ-ኩነታት ከምቲ ብሕጉ ክኸውን ዝግባእ፡ ሓንሳብ ኣብ ሰለስተ እተፈላለዩ ጉልትታት ተመቒሉ ጸኒሑ፡ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ሓደ-ጉልቲ ኰይኑ፡ ብናይ ሓባር መጸዋዕታ «ደቃ'ተሽም» እዩ ክፍለጥ ጸኒሑ። *ኣተሽም* እዩ'ውን ነቶም ኣብዚ ከባብ'ዚ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ወላዲኦም።

ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ኣብ ሞንን እንዳታት *ጸዓዚጋ/ሃዚጋን* እተኻየዱ ቃልሲታት፡ መኖም ተዓዊቱ ነዚ ሰለስተ ምድር'ዚ ይውንን እዩ ነይሩ ዋና-ጉዳዮም።

ታሪኽ ናይቶም ሽው እተኻየዱ ፍጻሜታት ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ምቕራብ፡ ብጽማቑ'ኳ ኣይምተኻእለን። ዘርኢ ሃይሉ ኲነ/ ዘርኢ ወለንኪኤል ነፍስ-ወከፎም ምምሕዳር ናይዚ ምድር'ዚ ንምርግጋጽ፡ ኣባና(ኢጣልያ) መጺኦም ሓገዝ ምሕታትን፡ ንጠለባቶም ሸለል ምባልና ተገንዚቦም ድማ፡ ኣብቲ ዓድታት ሰዓብቲ ስኢኖም፡ ከተግብርዎ ዝሃቀኑ ናይ ናዕቢ ፈተነታት ዘይምዕዋቱን ምጥቃስ፡ ኣኻሊ እዩ። «ኣበራ» እዩ'ውን ካብ ዘርኢ-ሃይሉ፡ ናይቲ ዋዕ-ዋዕ'ቲ መራሒ ዝነበረ። ከም ዝለቕቕ ተገይሩ ግን፡ ሎሚ ብዛዕባኡ ድሃይ ኣይርከብን።

5)- *ሳምሃ/ ክዘሳ-ጭዋ/ ሎን-ጭዋ/*፥

እቶም ኣብዚ ዝነብሩ ህዝብታት ዝተሓናፈጹ ብምዃኖም፡ እዚ ሰለስተ ምድርታት'ዚ፡ ናብ «ጉልቲ» ምስግጋር ኣይተኻእሉን። ስለዚ'ውን ሓደ ናይ ሓባር ተጸዋዒ ኣይረከቦምን። *ግብረ-መሬት* ንዝምልከት ጉዳያት፡ ኣብ *ሃጸያዊ-ምስለነ/ሕግን-ፍትሕን* ንዝምልከት ድማ፡ እቶቒሞም ብኣብያተ-ፍርዲ መኳንንቲ ሓማሴን፡ ስዒቡ ድማ ዕብለላ ትግራይ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፡ ብሹም-ነጋሪት እዮም ክዳነዩ ጸኒሖም።

6)- *ወቐርቲ/ ሰሓርቲ*፥እዚ ክልተ-ምድር'ዚ፡ ብሓደ ክንቲባይ ዝመሓደር ሓደ-ጉልቲ እዩ። ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ድማ ናይ ባዕሉ ሹም ነይርዎ።

7)- *ሊባን*፥ሓደ ብመስመር ውርሻ ዝምረጽ ሹም እዩ ዝነበሮ።

8)- *ሰፍኣ*፥እዚ ጉልት'ዚ ብመላኡ፡ ብመስመር-ውርሻ ተመሪጹ ባሕረ'ጋሲ ተባሂሉ ብዝስመ መራሒ ይመሓደር። ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ድማ፡ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሹም ይርከቦ።

እቲ ባሕረ'ጋሲ ዝብል ዕውት መጸዋዕታ ንሓደ ማእከላይ-መራሒ ናይ ከምዚ ዝበለ ንኡስ-ከባቢ ምስያም፡ ከገርም ዝግባእ ነገር ኣይኰነን። ከመይሲ፡ ኣብቲ ብራእሲ-ሚካኤል እተጀመረ ናይ ፋሉልነት እዋናት፡ ልዕልነት-ትዕቢት ኣብ ዓድ-ሓበሻ ደረት እዩ ተሳኢንዎ ዝነበረ። ማንም ካብቲ ሓፋሽ-ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ-ደረጃኡ ክብ ኢሉ እተቐልቀለ፡ ብኢደ-ወነኡ ዝለዓለ ሽመታት ንባዕሉ ክሰይም እዩ ጸኒሑ። ብሕልፊ እቲ ወታሃደራዊ-መዝነታት። እቲ " ሲቪላዊ " ግን ብእንጻሩ፡ ተኣማንነት/ሰዓብቲ ስኢኑ ተዳኺሙ።

ስለዚ እቲ «ባሕረ-ነጋሲ» ዝብል ሽመት፡ ካብቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ እብነት መሊሉ ሓሊፉ፡ ሕሉፍ-ሓሊፉ'ውን እቶም ኣመጻጽኣኦም ዘይፍለጥ- ቍጽሮም ግን ዝበርከተ ደጊያታት(ጠቕላሊ ኣዛዚ-ሰራዊት)፡ ንእሙናት ኣዝማዶም በዚ መጸዋዕታ'ዚ -ባሕረ ነጋሲ- እናበሉ ክሰምዩ እውን ተራእዮም እዮም።

ሃይማኖት።

መብዛሕትኡ ህዝቢ-ሓማሴን ኣብ ክርስትና ይኣምን። ዝኸተሎ ስርዓት ድማ፡ እቲ ከም «ሞኖፊዚታዊ» ዝፍለጥ ሃይማኖት-ተዋህዶ እዩ።

ኣብ ኣስመራን-ቀረባ ከባቢ ዝርከቡ ዓድታት፥/ጕዳይፍ/እባርዳእ/ዓድ-ንዕዳድ/ ሕምብርትን ኪናኡ ኣብ ሸውዓተ-ዓንሰባን፡ ብዙሓት ጀበርቲ (ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ደቀ'ባት) ይርከቡ።

ደጊያት-ሃይሉ ስለ ዘሰራሒዎምን-እተማበቐሎምን ድማ፣ ብስም " እስላም-ደገዘማቲ " ይፍለጡ።

ሚስዮናውያን-ሸወደን ብዘተኣታተውዎ ኣስተምህሮ፣ ኣብ ሓማሴን፣ ናይቲ ከም «ኣውጉስታ» ዝፍለጥ ስርዓት ምእመናን-ከኒሻ ዝኾተሉ ዚጋታት እውን ይርከብዎም። ኣብ ኣስመራ/ጸዓዘጋ/በለዛ-ከርነሽም/ዝርከቡ ሰለስተ መደበሮም ብሓባር (ኢውሮጳውያን ንዲፍካ)፣ ኣስታት 200 ዝኾኑ ተኸተልቲ ይኸውን ፍቕዶም። እዚ ፈቺድ፣ ሰብኣይ-ሰበይቲ-ጎበዝ-ህጻን- ኣጠቓሊልካ እዩ።

ኣብ ሓማሴን፣ ብዘይካ ንወታሃደራዊ-ኣገልግሎት ኢሎም ካብ ካልእ ኣውራጃ ዝመጹ ዓስከርን/ እቶም ብሳላ ጽዓት " ረቨረንዶ-ቦኖሚ " (ሓላፊ ካቶሊካዊ ቤተ-ክርስትያን ኣስመራ) ብዘይ ብቑዕ መስርሕ-ትካልን እተወደቡ ውሑዳትን፣ ሃይማኖት ካቶሊክ ዝኾተሉ ደቀ'ባት ኣይርከቡን።

****

ወረዳ ኣከለ ጉዛይ።

መበቆል ህዝብታቱ፥

ያታእም ከም ዘዘንትዎ፡ ኣብዚ ብሉጽ ወረዳ ዝነብሩ ህዝቢ፡ ዘርኢ *ኣከለ-ጊየን/ታከለ-ጊየን* እተባህሉ ክልተ-ኣሕዋት ካብ ዘርኢ ማሉቕ ወድ-ሚናብ መራሒ-ሰራዊት ቀዳ-ማይ ምንሊክ ምዃኖም ይፍለጥ። ስለዚ እውን መብዛሕትኡ ህዝቢ ናይዚ ወረዳ'ዚ፡ ምስቶም ሓደ እዩ መበቆልና ዝብሉ ህዝቢ-ሓማሴን፡ ዝምድና ምህላው ይኣምን።

እቲ ዛንታ ብዛዕባ ኣከለ ዝወለዶም ኣይጠቅስን። ታከለ ግን፡ *ጉዛይ/ሽመዛና* እተባህሉ ክልተ-ደቂ ከም ዝነበርዎ ይገልጽ።

እዚ ወረዳ'ዚ፡ ብምውህሃድ ኣስማት ኣከለን- ቦኽር ውላድ ታከለን እዩ ተሰምዩ። እዚ ግን ከመይ'ሉ ከም ዝኾነ ምፍላጡ ኣይከኣልን።

ካልእ ፍሉይ-ዛንታ ከም ዘዘንትዎ ድማ፡ *ኣከለን-ጉዛይን*፡ ክልተ-ኣሕዋት እዮም ንባዕሎም። *ሽመዛና* ግና እሙን ኣገልጋሊኦም ብምንባሩ፡ ንኳሕሳ እምነቱን/ኣገል-ግሎቱን ከም ናይ እውነት-ሓው ተገሚቱ፡ ኣብ ምህዛብ'ቲ ሃገር፡ እቲ ብስሙ ዝፍለጥ ደቡባዊ-ክፍሊ ተዋህቦ።

ክብረት ናይዚ ዳሕረዋይ-ገለጻ፡ልክዕ ከምቲ ቀዳማይ'ኳ እንተኾነ፡ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ፡ ብሕልፊ ድማ ህዝቢ ሽመዛና ኣይቕበልዎን እዮም። ሕልሚ ናይ ሓድሓደ ተንኮለኛታት ጕረባብትን/ስዐ ናይቶም ንሽመዛና ክመልኩ ዝደለዩ መራሕቲ-ዓጋመን፡ ስለዚ እውን፡ ንመደባቶም መንገዲ ምጽራግ፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ናይዚ ክባብን-ዝተረፉ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ዝነብሩ ኣሕዋቶምን፡ ምጥርጣራት ኣሕዲርካ- ምፍልላዮም፡ ተባሂሉ እተገብረ እከይ፡ ምዃኑ ይኣምኑ።

ግብረ-መሬት፥

ንጉሳዊ ዝበሃል ግብረ፡ ካብቲ ኣብ ሓማሴን ዝረአናዮ ብዝፍለ፡ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ካብ እዋናት «ሃጼይ ዳግማይ እያሱ» ኣይኮነን ዝብገስ። ብዘመነ-ደጊያት ውቤ ማለት ካብ መፋርቕ ናይ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን ዝኣተወ እዩ። ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ፡ እዚ ወረዳ'ዚ ንልኡል ስልጣን ንጉስ-ኢትዮጵያ'ኳ እንተኣመነሉ፡ ዘበርክቶ ዝነበረ ዓመታዊ ህያብ፡ ሓደ-ጠበንጃ/ ሓደ-ምንጸፍ/ እዩ ዝነበረ።

ኣከለ ጉዛይ፡ ግዳይ ወራራት-ራስያን ናይቶም ቅድሚ ደጊያት-ውቤ ኣብ ትግራይ ክገ-ዝኡ ዝጸንሑ *ራእሲ-ወልደስላሴ/ናይ ዓጋመ ራእሲ-እስቢጋዲስ/* ኮይኑ'ኳ እንተጸንሐ፡ ንዕብለላእምሲ ኣሚን ኢሉ ዝኣመነሉ እዋን ኣይዝከርን።

ብርግጽ ሰራዊት እስቢጋዲስ ነዚ ወረዳ'ዚ ክመልኩ፡ ካብ መሬት-ዓጋመ ወፊሮም እዮም። ህዝቢ ኣከለ ጉዛይ ግን ኣብ ዓድ'ዳ(መረታ-ሰበነ)ብዘይርሳዕ ተዓዊቱሎም እዩ። ብድሕር'ዚ እውን ኣከለ ጉዛይ ብሰራዊት ደጊያት-ውቤ ንበለሳ ገጾም ተደፊኦም እቲ ወረዳ ተመሊኹ'ኳ እንተተባህለ፡ ስፍሓቱን/ኣገዳስነቱን/ናይ ተቓውሞ ሓይሉን/ ምስቲ ሃጸያዊ-ባህሪ ናይቲ ወራር ተመዛዚኑ፡ እቲ ክኸፍሎ እተባህለ ናይ ኣስገዳድ ግብሪ ኣዝዩ ምጡን እዩ ዝነበረ።

ትሕዝቶ ናይቲ ኣብዚ ሃገር'ዚ "ኣሽሕ" (ናይ ሽሕ ረባሕታ) ዝበሃል ግብረ ድማ፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ነይሩ፥

1)- ሽሕ ቅርሺ-ባጠራ፡ *ንደቅ'ከለ* (ሰለስተ ወደ'ከለ) ወይ እቶም ሰለስተ-እንዳታት ኣከለ ዘቘሙ ህዝብታት ማለት /ጸንዓደግለ/ ደቅ-ድግና/ ሓደግቲ/ ይውሰን።
2)- ሽሕ ቅርሺ-ባጠራ፡ *ንደቅ-ጉዛይ* ወይ ዘርኢ ጉዛይ ማለት ነቶም ዘርኡ ዝኾኑ-ሓሙሽተ-እንዳታት (ሓሙሽተ ደቅ-ጉዛይ)። ኣብ ላዕለዋይ/ታሕተዋይ ደቅ-ጉዛይ ተኸፊሎም፡ ብሓጺሩ *«ደ-ጉዛይ»* እውን ይብሃሉ።

3)- ሽሕ ቅርሺ-ባጠራ፡ *ሽመዛና-ከዕዚ ዓድታትን፡* ማለት /መስሓል ወደ'ከለ/ ኣኽራን ወደ'ከለ/ ይግደዱ።

4)- *እገላ ሓጺን/ ተድረር/ መረታ/ እገላ ጉራዕ/ እንገና/* ብወገኖም ብድምር 2000-ቅርሺ እዮም ክኸፍሉ ጸኒሖም።

ስለ'ዚ፡ ከም ሳዕቤን ትእዛዝ ደጊያት-ውቤ ኣከለ ጉዛይ ክኸፍሎ ዝግደድ ግብረ-መሬት ብጠቕላሊ 5000 ቅርሺ-ባጠራ(ማርያ ተረዛ) እዩ ዝነበረ።

እቲ ንነፍስ-ወከፍ ዓዲ ዝበጽሖ ምቅሊት ግና፡ ምስ ፍቕድን-ሃብትን ናይቶም ዝነብርዎ ህዝብታት ተገሚቱ፡ ይፈላለ እዩ። ነዚ'ውን በብዓመቱ፡ ሹማምንቲ ከባብን/ ቁሸትን/ ብፍላይ ነዚ'ሎም ተኣኪቦም፡ ኣብ ማሕበር-ዓዲ ይውስንዎ።

እቲ ቀለብ መግዛእታዊ-ሰራዊት ተባሂሉ ከም «ፈሰስ» ዝፍለጥ ብጥረ-ነገር ዝኽፈል ተወሳኺ ግብረ፡ ከከም ውልቃዊ-ዊንታ ናይ ዝነብሩ ገዛእቲ ይእዘዝ። ኣብ ትሕቲ "ኢሉላ" ድማ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ እዩ ክብ ኢሉ ጸኒሑ። ከምኡ'ውን እቲ ንጉሳዊ-ግብረ በብቕሩብ እናወሰኸ ኣብ እተፈላለዩ መሬት ኣከለ ጉዛይ፡ እዚ ዝኽተል ትሕዝቶ እዩ ጸኒሕዎ፥

1)-*ሰለስተ ወደ'ከለ*(ሓደግቲ- ጸንዓደግለ- ደቅ ድግና-)....... 1000 ቅርሺ

2)-*ሓሙሽተ ደቅ-ጉዛይ*(ዓረት- ዝባውንቲ- ደቅ ዘርእሰናይ-

ደረጨን- ሃዳድሞ- መጽሐን-)............................ 1000 "

3)-*እገላ ሓመስ*(ኾርባርያ- ጉራዕ- ኣውሊዕ ጸሩ-)............. 1500

4)-*እገላ ሓጺን* 750

5)-*ተድረር ወይ ሰለስተ ደቅ ድራር*(ዓኾረን-መጕኖእ-ሃወንቲ).. 750

6)-*መረታ*(ሰበነ- ቀያሕቲ) .... 750 "

7)-*ሽመዛና* 500

8)-*ኣኽራን ወደ'ከለ* (ወይ ወደ'ከለ ኣኽራን) 200

9)-*መስሓል ወደ'ከለ* (ወይ ወደ'ከለ መስሓል) 500

10)-*ሎጎ ሳርዳ* 750

11)-*ደገዘን* .... 200 "

12)-*ቤት መሓዝ* በብዓመቱ ሰለስተ-መስአ መዓርን(ሓደ-መስአ= ርብዒ ገበታ እዩ) ከከም እቶቱ ድማ፡ ክልተ ወይ ሰለስተ ገበታ-መሸላ ን «ደብረ ሊባኖስ» እዩ ግብረ-መሬት ዝኸፍል ነይሩ።

ስለዚ ብዘይካ «ፈሰስ» ከምኡ'ውን እቶም ኣሕሉቕ ንብሕታዊ-ጥቕሞም ዝእዝዝዎ ኣስገዳድን፡ እቲ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ዝጸንሐ ትሕዝቶ ኣከለ ጉዛይ ክኸፍሎ ዝግደድ ንጉሳዊ-ግብረ ብጠቕላሊ፡ 7.900 ቅርሺ እዩ ነይሩ ድምሩ።

ኣብ ወረዳ-ኣከለ ጉዛይ-ዝነብሩ እተፈለዩ ነገድ።

እቲ ንመላእ እዚ ወረዳ'ዚ ስሙ ዘመሓላለፈ ኣከለ-ጉዛይ ዝብል መጸዋዕታ ከም ዝሕብር፡ እዚ ነገድ'ዚ፡ እቲ ንመጀመርያ ነዚ ዞባ'ዚ ዝሃዘበ ወይ ድማ ኣብ ርሑቕ-ዘመናት ከም ዝወረሮን፡ ስለዚ'ውን ንቶም ብቕድመኡ ዝጸንሑ ህዝብታት ተረሲዖም ከም ዝተርፉ ገይሩ ዝዓብለለን ምዃኑ የረድእ።

ኣቓዲሙ ከም እተጠቕሰ፡ *ኣከለን-ጉዛይን* እተባህሉ ክልተ-ኣሕዋት፡ ከምቲ መብዛሕትኡ ህዝቢ መረብ/ምላሽ ዝሕብሮሉ ዘርኢ፡ "ሰማዊ" እዩ ነገዶም። ኣብዚ ዳሕረዋይ-እዋናት ግና፡ እቲ ጥንታዊ ዓወታት ፈጺሙ ተረሲዑ፡ምስ ናይ «እስራኤል-ነገዳት» ዘሎ ናይ ደም-ዝምድና እዩ እቲ ብዓብላሊ ሓበን ዘቕርብዎ መጕተ።

ያታኦም ከም ዘመልከቶ፡ እቶም «ዘርኢ-ኣከለ»ዝበሃሉ ህዝቢ ዝነብርዎም ምድርታት፥ ሰለስተ ወደ'ከለ/ ወደ'ከለ ኣኽራን/ ወደ'ከለ መስሓል/ ቤት-መጣዕ/ እዮም።

ህዝብታት ሓሙሽተ ደቅ-ጉዛይ ኰኑ ሽመዛና፡«ዘርኢ-ጉዛይ» እዮም። ኣብ ዞባ-ሽመዛና ዝነብሩ ህዝብታት ግና፡ ካብ ሽመዛና ኣይኰኑን ዘርኦም።

ህዝብታት መረታ ከምቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ፡ «ዘርኢ-ጫሉቕ» ወድ ሚናብ እዮም። ስለዚ'ውን ምስ ሓማሴን ኰነ/ ምስ ዘርኢ ኣከለን-ጉዛይን ይዛመዱ።

ህዝቢ ሎጎ-ጫርቶ፡ ምስ ሎጎ-ሓማሴን እዩ ፍቕዱ። ካብዚኦም ዝፈልዮ ግን፡ ምስ ጋላ-ጭዋ ዘይምትሕንፋጹ እዩ።

ብዛዕባ ህዝቢ ደገዐን፡ ንጹር-ሓበሬታ ድኣ ኣይሃሉ'ምበር፡ መበቆሎምሲ ተመሳሳሊ እዩ።

ኣብ እገላ-ሓመስ/እገላ-ሓጺን ዝነብሩ ህዝብታት፡ ካብ ትግራይ ዝመጹ እዮም። ሃጊት ኣብ ደብር-ዳሞ፡ " እገላ'ለስቲ " እተባህለ ጨንፈር-ነገዶም ይነብር። ከም ዝመስሎ ድማ ናይ ዲያት/ ሂዳ/ ዓሳውርታ፡ ምስ'ዞም «እገላ» ዝበሃሉ ህዝቢ፡ ናይ ሓባር እዩ መበቆሎም።

ኣብ መወዳእታ ድማ ህዝቢ-ተድረር፡ ምስቶም ኣብ ሓባብ እውን ዝርከቡ " ጸውራ " እተባህሉ ህዝቢ ተመሳሳልነት ሃልዩዎ፡ ሓማዊ እዩ ዝመስል ዓሌቱ። «ኣሕመድ-ሰዓዳ» እተባህለ ኣቦኡ ን «ድረር» እዩ'ውን ከም ርእሰ-ነገዶም ዝፍለጥ።

ድራር ብወገኑ፡ ሰለስተ-ደቂ ነበርዎ፡ ንሶም ድማ፡ ዓኾረን- መጕናእ- ሓወንታ-ይበሃሉ። ካብዚኦም እዩ'ውን እቲ ህዝቢ ዝኽፈለሉ ሰለስተ-ጨንፈር ኰነ/ እቲ ንሶም ዝቕመጥዎ(ዝነብርዎ) ከም ሰለስተ-ደቅ ድራር(ሰለስተ እንዳ-ድራር) ዝፍለጥ መሬት፡ ዛንታኡ ጀሚሩ።

ቋንቋ - ሃይማኖት።

ኣብዚ እውን ከም እተጠቕሰ፡ ኣብቲ ህዝቢ ናይ መበቆል ኣፈላልያ ድኣ ይሃሉ'ምበር፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ፈጺሞም ተዋሃሂዶም፡ ኣብ ቋንቋ-ሃይማኖት እውን ይመ-ሳሰሉ እዮም።

ቋንቋኦም ትግርኛ(ቋንቋ-ትግራይ) ኰይኑ፡ ኣብ ኣከለ ጉዛይ ካብ ኣብ ካልእ ቦታታት መረብ ምላሽ፡ ኣዝዩ ድማ ካብቲ ኣብ ትግራይ ዝዝረብ፡ ብዝፍለ ቅርጽን-ኣደማምጻን ይዝውተር።

ሃይማኖት ንዝምልከት፡ ካብ ነዊሕ ክፍለ-ዘመናት ኣትሒዙ፡ ሃጊት ክርስትያን-ተዋህዶ እዩ ዓብላሊ።

ካብ 16° ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ ሚስዮናውያን-ፖርቶጊዚ፡ «ነኣፈታውያን» እተባህሉ ሰዓብቲ ጠርኒፎም፡ -ምትእትታው ፋሉላዊ ዘመናትን/ኣሸካዕላል መራሕቲ ትግራይ ብዘየገድስን ድማ-ፍቕዶም እናበርከተ እዩ መጺኡ። ኣብዚ ኣርእስት'ዚ እውን እዚ ወረዳ'ዚ፡ ኣንጻር'ቶም ሓርነቱ ዝደፈሩ ባዕዳውያን እተዓጥቀ ይመስል። ምኽንያቱ፡ ፍቕዲ ሰዓብቲ ሃይማኖት-ምስልምና እውን ከምኡ፡ እናማዕበለ እዩ መጺኡ።

ኣብ ስዒቡ ዝቐርብ ዝርዝር ዓድታት ወረዳ-ኣከለ ጉዛይ፡ እቶም ተኸተልቲ ሃይማኖት-ካቶሊክ ዝኾኑ ህዝብታት፡ ብድሕር ስም-ዓዲ፡ ብምልክት(++) ክጥቀሱ እዮም። እቶም ሰዓብቲ ሃይማኖት ካቶሊክ-ተዋህዶ ሕውስዋስ ዝኾኑ ዓድታት፡ ብ(+) ክነመ-ልከቶም ኢና። እቶም መመልከቲ ዘይተገብረሎም ዓድታት(ንጹር መመልከቲ ምስ ዘይህልዎም)፡ ብምሉኦቶም ሰዓብቲ ሃይማኖት ተዋህዶ ምዃኖም ይገለጽ።

ማሕበራዊ ስርዓት

ዘርኢ ኣከለን- ጉዛይን እዮም በቶም ካልኣት ህዝብታት ናይዚ ወረዳ ፍሉይን-ልኡልን መበቆሎም ተኣሚኑ፡ ወትሩ ቀዳምነት ዝወሃቦም።

ምስቲ ህዝቢ ዘዘውትርዎ ርህራህ/ ኣኽብሮት መሰል ወድ-ሰብ/ ሕውነት/ ዝኣመሰሉ ክብርታት እዮም'ውን ነዚ ቀዳምነት'ዚ ኣጽዲቖምዎ። ብግብር'ውን ኣብለ-ጉዛይ ንነዊሕ እዋን፡ ናይ ትሕትና ባህልን-ኣባታዊ ስርዓትን እዩ ክኸተል ጸኒሑ። ነፍስ-ወከፍ እንዳ ኩሉ ቀቢላ፡ ክሳብ ደረጃ ውልቀ-ሰብ እውን ከይተረፈ፡ ኣብ ጉዳዩ ድኣ'ምበር፡ ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳይ ጕረቤት'ኳ ጣልቃ ኣይኣትውን።

ዶባት ግዝኣቶም ምስፋሕ ዝሕልኑ መራሕቲ ደቀ'ባት፡ ኣብዚ ወረዳ'ዚ ኣይርከቡን።

ነፍስ-ወከፍ ህዝቢ፡ ባዕለ-ምሕዳር እዩ። ኩይኑ ግን፡ ነጻነትን ናይ ሓባር ሓርነትን ንምዕቃብ፡ ምስቶም ካልኦት ህዝቢ ኣክለ-ጉዛይ ብመልክዕ «ኮንፈደረሽን» ዝሓበረ እዩ። ሓደ ካብ ህዝብታቱ ናይ ወራር ሓደጋ ብዘጋጥሞ፡ ብመለኸት[1] «ክተት» ምስ ተባህለ፡ ዕድመኡ ዓቕመ-ብረት ዘእከለ ኅበዝ ኩሉ፡ ብተወፋይነት ይምልሽን-ይዳለ-ወሉን።

እቲ ህዝቢ ተባዕ-ሓያል፡ እቲ ሃገር ድማ ንምክልኻሉ ምቹእ ቦታ ስለ ዝኾነን፡ እዚ ምውህሃድ'ዚ እዩ ንነዊሕ እዋን ድሕነት ኣክለ ጉዛይ ዘረጋገጸ ረቒሒ።

እቲ ክተት እተባህለሉ ኣብ ሓደጋ-ወራር ዝኣተወ ከባቢ፡ ነቶም ረዳት ኢሎም ዝመጹ ሰብ-ብረት፡ ስንቂ ከውሕስ ድኣ'ምበር ካልእ ተገብአ ኣይነበሮን።

ኣብዚ ወረዳ'ዚ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ፡ "ፖሊቲካዊ" ዝበሃል መዝነት ኣይፍለጥን።

ማሕበራዊ-ጉዳያቱ ንምምሕዳር፡ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ በብዓመቱ ኣብ ማሕበር-ዓዲ(ባይቶ) እዩ ሓደ *«ጎበሬ»* ወይ *«ጎባር»* ወይ ድማ *«ሓሊቓ-ዓመት»* እተባህለ መራሒ ይመርጽ። እዚ ግን ኣቦ-መንበር ናይቲ ባይቶን/ ናይቲ ማሕበረ-ሰብ ኣፈኛን ድኣ-'ምበር፡ ተግባራዊ መዝነት ዘማልእ በዓል-ስልጣን ኣይኩነን ዝነበረ።

እዚ ኣገባብ ምምሕዳር'ዚ ግን፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ለዊጡ እዩ።

ብድሕሪ ወራራት ደጊያት-ውቤ፡ እቲ ንመላእ ኢትዮጵያ ዘዕነወ ናይ ትዕቢት ሕማቕ ተኸሊ፡ ኣብዚ ክሳብ ሽዑ ከይሓሰመ ዝጸንሐ መሬት ኣክለ-ጉዛይ እውን፡ ሰራውር ተኺሉ ኣብዚ እውን እቲ መላለዮ ሰብ-መዚ ዝኾነ*«ቀሚሽ-ሃሪ»* ዝለበሱ፡ ስለዚ'ውን *«ሰብ-ቀሚሽ»* ዝበሃሉ ዜጋታት(ብሕልፊ ካብ ዘርኢ ኣክለን-ጉዛይን) ኩኑ/*ሹም-ግራ'ዝማቲ ከንቲባይ- ራእሲ*...እውን ከይተረፈ ዝበሃሉ ሽመት ክቀላቐሉ ጀመሩ።

እቲ ኣብ እዋኑ ንናይ ሓቂ ስርዓት-ምምሕዳር ዝገልጽ«ባሕረ-ነጋሲ» ዝብል ጥንታዊ-ሓላፍነት፡ ኣብዚ'ውን ሓሲሩ ኣብ ኣዝማድ ናይ እተጠቕሱ ሓለቓታት፡ ኣዝዩ እተዘ-ውተረ እዩ ኩይኑ። እቶም በዚ መጸዋዕታ'ዚ ዝስመዩ ሰባት ግና፡ «ቀሚሽ-ሃሪ» ምልባስ ብቑዓት ስለ ዘይበሃሉ፡ እቲ ኣብ ግምባሮም ዝኣስርዎ «ጋማ» እተባህለ ጽሩራ ወይ «ጨርቂ-ሃሪ» እዩ ዘላልዮም።

ብሓቂ ግና፡ እዚ ኩሉ ሽመት መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ትሕዝቶ ኣይነበሮን። ምኽንያቱ፡ እቲ ሃገር ብተፈጥሮ፡ ዓሚቚ ደሞክራሲያዊ-ባህሊ ስለ ዝጸንሐ፡ ኣብ ቅድም'ዞም ሓደስቲ-ጕይቶት፡ እይተምበርከኸን። ከምኡ'ውን ንሳቶም እቶም ሰብ-መዚ፡ ሃሪ ለቢሶም ወይ ጨርቂ-ጋማ ኣብ ግንባሮም ኣሲሮም- ኣብ ፈረስ ተወጢሖም ጭጕራፍ ምውዝዋዝ-ኣኻሊ ኩይኑ ስለ እተሰምዖም፡ ኣብ ደቅ-ዓዶም ናይ ጸቕጢ-ህያባት ኩነ/ ናይ ኣኽብሮት ግዴታ፡ ኣይሓተቱን።

ወረ'ውን ሓድሓደ እዋናትሲ፡ ምስቶም ሓያላትን-ትዕቢተኛታት መሳፍንቲ ትግራይ፡ ማዕረ-ንማዕረ እናመጉቱ፡ ጥቕሚ ዓዶምን- ደቅ ዓዶምን ስለ ዘማልኡ፡ ሰብ-ምያ ኩይኖም ተረኺቦም እዮም። እተጠቕሰ ዝምድና'ዚ ግን፡ ምስቶም ኣመሓደርቲ ሹማምንቲ ደቀ'ባት እምበር፡ ነቶም ብባዕዲ ተላኢኾም ዝመጹ ሓለፍቲ ኣይምልከትን።

መንግስቲ-ኢጣልያ ኣብዚ ቦታ'ዚ ቅድሚ ምምጻኡ፡ ዳርጋ ኣብ መላእ'ዚ ወረዳ ዝጸንሑ ሹም-ዓዲ ኩኑ ሹም-ጉልቲ፡ ብምርጫ እዮም ዝስየሙ ነይሮም። ሹም-ዓዲ፡ ብማሕበር/ ሹም-ጉልቲ ድማ ብባይቶ ሹም-ዓድታት፡ እዮም ክምረጹ ጸኒሖም።

[1]- እቲ ንዓበይቲ መራሕቲ ሰራዊት ዘላሊ «ነጋሪት»(ናይ ኩናት-ከበሮ) ኣይነበረን። ኣብ መረብ/ምላሽ፡ ኣቐዲሞም ባሕረ-ነጋሲታት፡ ስዒቦም ድማ መኳንንቲ እንዳ-ጸዓዘጋ እዮም ነጋሪት ዝፍቀዶም። «መለኸት»፡ ብዕንጸይቲ እተሰርሐ ትኽ ዝበለን-ብቐርበት እተሸፈነን ነዊሕ ጥሩምባ እዩ።

ብሓፈሻኡ ግን ክምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ እቲ ኣገባብ፡ ብሕገ ቦኽር - መስመር ስለ ዝፍጸም፡ ወትሩ ንሰም እዮም እቶም ብምድግጋም ዝምረጹ ዜጋታት። እቲ ምርጫ ግን ዓመት-ዓመት እዩ ዝካየድ ነይሩ። ምእንት'ዚ'ውን ዝምረጹ ሹማምንቲ፡ «ሓለቓ-ዓመት» ይበሃሉ።

ብዘመነ ተድሮስ/ዮሃንስ፡ እዚ ናይ ምርጫ ኣገባብ እናተጋህሰ ጸኒሑ፡ እቲ ሹም-ጉልቲ ዝበሃል መዝነት፡ ብውርሻ ዝመሓላለፍ ብሕታዊ-ስልጣን ኮይኑ፡ መብዛሕትኦም «ክንቲባይ» ተባሂሎም፡ ኣብ ደረጃ "ሰብ-ቀሚሽ" እዮም ተመሓላሊፎም። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ እዩ'ውን መዝነት ሹም-ዓዲ (ነባሮ/ሓለቓ-ዓመት/ጭቃ)፡ ብሹም-ጉልቲ ክውሰን ተፈቒዱ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ሹም-ጉልቲ ነቶም ንኣሳን-ሹማምንቲ ከም ዊንታኡ ክቕንጥጥ መሰል ስለ እተዋህቦ፡ ባይቶ ከም እንደገና ኣኪብካ ሓድሽ-ምርጫ ምጽዋዕ እውን ተለምደ። ኮይኑ ግን፡ ማሕበር ወይ ህዝባዊ-ባይቶ እውን ብግደኡ፡ ኣይበቅዕን ንዝበሎ ሹም-ዓዲ ክትክእ፡ መሰሉ እተሓለወ እዩ።

ምርጫ ሹም-ዓዲ፡ በብዓዱ'ኳ ዝፈላለ እንተኾነ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ኣብ መዓልቲ በዓላት ክኸውን ድማ፡ ኣብ በዓል-መስቀል ወይ ቅዱስ-ዮሃንስ እዩ ዝውዕል ዝነበረ።

ብጉልቲ ዝፍጸም ኣከፋፍላ-መሬት

ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ኣብዚ ወረዳ ዝጸንሐ ኣከፋፍላ-ጉልትን፡ እቲ ነፍስ-ወከፍ ሹም-ጉልቲ ዝነበሮ መዝነትን፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ፥

1)-*ሰለስተ ወደ'ከለ* -ሓደግቲ/ጸንዓደግለ/ደቅ-ድግና/ ኣብ ዝበሃሉ ሰለስተ-ጉልቲ ተኸፊሉ፡ ብሓደ «ክንቲባይ» ይመሓደር።

2)-*ሓሙሽተ ደቅ-ጉዛይ* -ኣብ ሸድሽተ ጉልቲ ይኸፈል፥ ዓረት/ ዝባውንቲ/ ደቅ-ዘርእሰናይ/ ደረጨን/ ሃዳድሞ/ መጽሐን/ ይበሃሉ።

ዓረት፥ ካብቲ ንቲ ጉልቲ ዝሃዘበ-ነገድ እተመዘዙ፡ ሰብ ሓደ-እንዳ ዝኾኑ «ክልተ-ክንቲባይ» የመሓድርዎ።

ዝባውንቲ፥ እንዳኡ ካብ ወሳንስን/ባዕዳዊ ዝነገዱ፡ ራእሲ-ኣሉላ ዝሸሞ፡ "ሳህለ" ብእተ-ባህለ «ክንቲባይ» ይመሓደር።

ደቅ-ዘርእሰናይ፥ ክሳብ'ቲ መግዛእቲ-ኢጣልያ ዝኣተወሉ እዋናት፡ ናጻ ኮይኑ፡ በቶም ብባህሊ ዝመጹ «ነባሮ» እዩ ክመሓደር ጸኒሑ።

ደረጨን፥ ኣባላት ሓደ-እንዳ ዝኾኑ «ክልተ-ክንቲባይ» የመሓድርዎ። ነገዶም ድማ ምስ ህዝቢ ናይቲ ጉልቲ ሓደ ክኸውን ይግባእ። እተጠቕሱ ክልተ-ክንቲባይ፡ ሓዲኦም ኣብ "ተገረን"፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ "መዓርታ" ይነብሩ።

ሃዳድሞ/መጽሐን፥ ብመስመር ውርሻ እተመርጸ ሓደ «ክንቲባይ» እዩ ከመሓድሮም ጸኒሑ።

3)-*እገላ ሓመስ* -ኣብ ሰለስተ ጉልቲ ይኸፈል። ነፍስ-ወከፎም ድማ፡ ወራሲ ተባሂሉ ብዝምረጽ «ባሕረ'ጋሲ» ይመሓደር።እዞም ሰለስተ ጉልቲ ግና፡ መሬት ናይቲ ርእሱ ክኢሉ ኣብ ሓደ-ጉልቲ ተጠርኒፉ ዝጸንሐ ዋንታዊ ዋንነት እተፈላለዩ-ነገድ ዓድታት "እንገና" እውን ተማሲሑም እዮም።

4)-*እገላ ሓጺን* -እቲ ምድሪ ኣብ ሸውዓተ-ጉልቲ ተኸፊሉ፡ ንነፍስ-ወከፎም ሓደ ብመስመር ውርሻ ዝሰየም «ባሕረ'ጋሲ» የመሓድሮ።

እቶም ጉልታት፥ ዓድጋሃድ/ዓድጐዶ/ቀላይ በዓል ጢዐት/መንበር/መብረድ/ ሰርሐ/ ዓድ-ባሪን/ ይበሃሉ።

5)-*ተድረር* - ዓኹረን/ መኮኖእ/ ሓወንታ/ እተባህሉ ሰለስተ-ጉልቲ የጠቓልል። እቲ ነዚኦም ዝውክል ኣመሓዳሪ፡ ቅድም ከም "ግራ'ዝማቲ" ቀጺሉ ድማ ከም «ክንቲባይ» ዝፍለጥ ሓደ ተጸዋዒ እዩ ዝነበረ።

6)-*መረታ* -ኣብ ክልተ ጉጅለ ይኽፈል፥ መረታ-ስበነ/መረታ-ቀያሕቲ/ ይብሃሉ። መረታ-ስበነ፡ ኣብ " ዳባር " ዝነብር ሓደ-ክንቲባይ የመሓድሮ። መረታ-ቀያሕቲ፡ ኣቐዲሞም ብባሕረ'ጋሲ ኣስዒቦም ድማ ብክንቲባይ እተባህለ ሓላፊ ይመሓደሩ።

7)-*ሸመዛና* -መብዛሕትኡ እዋን፡ እንዳ-ዳሸም/እንዳ ጽኣብዝጊ/ኣብ ዝበሃሉ ክልተ-ጉልቲ እዩ ተኸፊሉ ጸኒሑ። ነዚእም ዘመሓድሩ ድማ፡«ክልተ-ክንቲባይ»እዮም ዝነበሩ። ኰይኑ ግን፡ ሓድሓደ እዋናት ንመላእ'ቲ ምድሪ ዘመሓድር ሓደ ክንቲባይ'ውን ይመ-ርጹ እዮም።

8)-*ወደ'ክለ ኣኸራን* -ሓደ ጉልቲ ብምኻኑ፡ ሓደ ክንቲባይ እዩ ክመሓድሮ ጸኒሑ።

9)-*ወደ'ክለ መስሓል* -ደቅ ዘርኢ ሞሲ/ወደ'ክለ መስሓል/ ኣብ ዝበሃሉ ክልተ-መሬት ተኸፊሎም፡ሓደ ጉልቲ እዮም። ብሓደ «ክንቲባይ» እውን ይመሓደሩ። መጠራ እተባህለ ዓድን- እቲ ኣብ ሕሉፍ እዋናት ገባር «ኣቡና ኣረጋዊ ደብር-ዳሞ» ዝነበረ «ደጊሀን-ወገራ» ዝበሃል ከባቢኡን፡ ምስ'ዚ ጦባ'ዚ እዩ ፍቕዶም።

ኣብ ከባቢ-መጠራ ዝርከቡ ህዝብታት፡ ምስ ህዝቢ ደገሀን ይዛመዱ እዮም። ስም ናይቲ ከባቢ ንባዕሉ ነዚ ዝምድና የንጽር።

10)-*ሎጎ ጩርዓ* -ሓደ ባሕረ-ነጋሲ ዘመሓድሮ ሓደ ጉልቲ እዩ።

11)-*ደገሀን* -ኣብ ክልተ ጉልቲ ይኽፈል። "ዓድ-ጉልቲ" እተባህለ ቀዳማይ፡ ንደብረ-ቢዘን/ "ዓቓብ-ሰዓት" እተባህለ ዳሕረዋይ ጉልቲ ድማ፡ ንደብረ-ሊባኖስ ይግብሩ። ክልቲኦም ደብርታት ድማ ነዚ ክልተ-ጉልቲ፡ ብወኪላቶም የመሓድርዎ።

12)-*ቤት መሻሰ* -ብመሰረት ናይቶም ቀንዲ ኣብዚ ምድር'ዚ ዝርከቡ ክልተ ዓድታት፡ «ኣንዘበት-ገለባ» እውን ይብሃል እዩ። ሓደ ጉልቲ ኰይኑ ድማ፡ በቲ ኣብቲ መሬት ዝነብር " ኣባቴ ደብረ-ሊባኖስ " ይመሓደር። እተባህለ ሓላፊ፡ ብእዋኑ፡ ኣብቲ ዓድታት ኰይኑ/ኣብ ምሉእ ከባቢ፡ ኣዝዩ ኣኽብሮት ዝነበሮ ወኪል እዩ ነይሩ።

ፍትሕን/ ኣብያተ-ፍርድን

ስርዓተ-ሕጊ ንዝምልከት፡ ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ ብፍትሓ-ነገስት ተደጊፉ፡ ብሕጊ-እንዳ'ባ እዩ ክዳኝ ጸኒሑ።

ኣብ ሞንጎ ዚጋታት ሓደ-ዓዲ ንዚጋጥሙ ናይ ዕለት-ነገር፡ ባይቶ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ይዳንዮም። ከብድ ዝበሉ ጉዳያት ኰኑ/ ኣብ ሞንጎ ዓድታት ሓደ-ጉልቲ (ስለዚ እውን ህዝብታቶም ኣባላት ሓደ-ነገድ ዝኾኑ) ዝለዓሉ ጠንቅታት ግና፡ ባይቶ-ሹማምንቲ ናይቲ መላእ ጉልቲ ይዳንዮም። ኣብ እተፈላለዩ ጉልታት ከለዓሉ ንዝኽእሉ ምስሕሓባት እንተኾነ (ብሕልፊ'ውን ናይ ደምን- መቡቆልን ፍልልይ ምስ ዝህሉ)፡ ኣብ ጥንቲ፡ ዝምልከቶም ወገናት ኣብ ቤት-ፍርዲ «ባሕረ-ነጋሲ» እዮም ዝቐርቡ ነይሮም። ኣስዒቦም፡ ብ«መኳንንቲ ሓማሴን» ክዳንዩ ጸኒሖም። ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ድማ፡ ቤት-ፍርዲ ንጉሰ ወይ ንዓኡ ብ ነጀው-መረብ ዝውክል ራእሲ-ቢትወደድ እዩ ነቲ ሓላፍነት'ዚ ክማልእ ጸኒሑ።

ፖሊቲካዊ ኣሰላልፋ

ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ፡ ነቶም ሰላምን-ጸጥታን ናይዚ ወረዳ ዝሓለው ጥንታውያን ነጋውስ፡ ብኣኽብሮት ይዝክሮም። ናይቶም ስዒቦም፡ ኣብቲ ብራእሲ ሚካእል-ስሑል ጀሚሩ/ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ብደበዛ እተፈጸመ ነዊሕ ፋሉላዊ-ዘመናት፡ ብኸኤው-መረብ ዝመጹ ደጊያታት/ራእሲታት ወይ ነጋውስ ግን፡ ሕማቕ ዝኽረ እዮም ኣትሪፎም።

ኣብዚ መረብ/ምላሽ ብውሽጣዊ ቃልሲታት ደባላዕ ዘሎ ናይ መርገም እዋናት (ብዘ-መነ-ወራር ኢጣልያ)፡ ዝበዝሐ ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ ምስ እንዳ-ሃዚጋ እዩ ሰልፉ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ህዝቢ ተረዲእዎ ከም ዝጸንሐ፡ እቲ ብመኳንንቲ-ጸዓዘጋ

ምስ ሃጸያት ዓድ-ሓበሻ ክፍጸም ዝጸንሐ ስምምዓት፡ ውዒሉ-ሓዲሩ ንርእሰ-ምምሕዳር መረብ/ ምላሽ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እቲ ንሃይሉን/ዘርኢ ሃይሉን ክፍቀድ እተባህለ ሓርነት ኣብ ግብሪ ምስ ዝውዕል፡ ከም'ቲ ኣብ ከኔው-መረብ ካብ ነዊሕ እዋን ተተኺሉ ዝጸንሐ ሓያል መስፍናዊ-ስልጣን፡ በዚ ወገን'ዚ እውን ምትካሉ ከም ዘይተርፎ ስለ ዘይሰሓትዎ እዩ።

ተመልከት፥

ኣብዚ ንዘሎ ኣከለ-ጉዛይ ምንጻር ስዒቦም ዝቐርቡ ጸዋራ-ስሌዳታት፡ ከም'ቲ ናይ ሓማሴን እቶም ውሑድ-ሀዘቢ ዝርከብዎም ዓድታት፡ ብ(*) ክሳመልከቶም ኢና። እቶም ፈጺሞም ተሰቒቖም ስብ-ዘይነብሮም፡ ብ(**) እዮም ዝምልከቱ።

ኣዚ ኣገባብ ደጊም፡ ነቶም ዝተረፉ ዓድታት ኣብ ነጸረሉ'ውን ክዝውተር እዩ።

****

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ሰለስተ ወደ'ክለ	ሓደግቲ	1)-ማዕረባ/ 2)-ዓድ ሓባር(++)/ 3)-ዓደ'ኸሳ/ 4)-ድግሬ - መረቶ/ 5)-ዓድ - ቀይሕ(+)/ 6)-ምነት(+)/ 7)-ዓደ'ንስቲ(++)።
	ጸንዓደግለ	1)-ሰኽይቲ(++)/2)-ድግሬ-ልብዒ(++)/ 3)-ዓድ እንገርም(++)/ 4)-አኽፋር(++)፣ ካቶሊካዊ ሚስዮን ይርከቦ። 5)-ለማዎምለ(++)/6)-ሐዞ(++)/7)-ዓድፍኘዕ(++) 8)-(*)ማይ ዒላ(++)/ 9)-(*)ዓድ ቆንጺ።
	ደቅ-ድግና	1)-ድግሳ/ 2)-ማይ ዕማኾ/ 3)-ዓድ ሓዲድ/ 4)-ሓድሽ ዓዲ/ 5)-ዓደ'ውሒ፣ እዚ ዓድን-መሬቱን/ ምስ መረታ፣ መሬት ፍርቂ እዩ። እዚ ጉልት'ዚ ብዮንቲ፡ ን «ቤተ-ክርስትያን አኽሱም» እዩ ዝግብር ነይሩ። ሃጸይ-ዮሃንስ እዩ ናብ ዋናታት መሊሰም።
ሓሙሽተ ደቅጉዛይ ወይ ሓሙሽተ ደ'ጉዛይ ወይ ድማ ደጉዛይ ይበሃል እዩ።	ዓረት	1)-ሓላይ(++)/ 2)-ደርዓ/ 3)-ጽምዲ/ 4)-ማይ ሓሬሳት/ 5)-አውሕን/ 6)-መዓርድእ(+)/ 7)-በርሕነት/ 8)-መንደፈራ/ 9)-አዋጽኦ/ 10)-እንዳ አባ ሰላማ/ 11)-ዓድ ወግሪ/ 12)-ዓድ ቓንጣ/ 13)-እምበይቶ። «አውሕን» እተባህለ ዓዲ፡ አብ ትሕቲ መንግስቲ-ንጉስ፡ ን ደብረ-ቢዘን እዩ ዝግብር ዝነበረ።
	ዝባውንቲ	1)-ተኾንጻዕ/ 2)-ዓድ ቀይሕ(+)/ 3)-መሳልሕ/ 4)-ምናዕ/ 5)-ዝባን ጸገብ። አብ ዓድ-ቀይሕ ዝነበረ ካቶሊካዊ ቤተ-ክርስትያን፡ ብትእዛዝ ሃጸይ-ዮሃንስ፡ ብሓዊ ነዲዱ እዩ።
	ደቅ ዘርእሰናይ	1)-እንቶ/ 2)-ማይ - ጻዕዳ/ 3)-ዕረት/ 4)-ቆንጠጠፈ/ 5)-አርማ/ 6)-ዓድ - ለቲ/ 7)-ቀርኒ መዓር። እዞም ብ «ደረጨን» ዝፍለዩ ክልተ-ጉልቲ (ዝባውንቲ/ደቅ ዘርእሰናይ)፣ ራእሲ-አሉላ ን" ዝባውንቲ" ከም ብሕታዊ-ዋንነቱ ነቲ ዝአምና «ባህሉ» ከሪኪቦ እንክሎ፡ ሓደ-ህዝቢ ዝነብርም

		ጉልቲ ኩይናም፡ ዝባን-ዐር ብዝብል ናይ ሓባር መጸዋዕታ እዮም ዝፍለጡ ነይሮም።
	ደረጨን ወይ ዶረጨን	1)-ተገረን/2)-እምባ-ቀላይ/3)-ዓድ-ገብለ/4)-ዓዲ-ምቲ/5)-መዓርታ/ 6)-ዓጋመተን/ 7)-ማይዝጊ 8)-ክልተ ፍልሓ/ 9)-ዓድ ሻንት።
	ዓድ ኣደም ወይ ሜዓሎ	1)-ፍርቂ'ብዓ/እቲ ካልኣይ-ፍርቂ ምስ«ደገዐን» ይጽ-ምበር- 2)-እምባ ሶሎት/ 3)-ኩዶ-በዝሒ/ 4)-ዖና-ዓንዶም 5)-እምበር-ዓንዲ/ 6)-ዓድ-ሜዓ/ 7)-ዓድ-ጎብሽ/ 8)-(*)ዓድ-ከረን/9)-(**)ዓድ-ገዓለ/9)-ዓድወሒ/ 11)-ገምባብእ።
	መጽሓን	1)-ኩዓቲት(+)/2)-ዓድ-ወፈርቲ/3)-ዓድ ውድቀት/ 4)-ዓደ'ውሒ/ 5)-ምርጋጽ ማዕዶ ሩባ/ 6)-ንዕልቶ/ 7)-እምባ-ኒኚት/8)-ዓድ-ኩታ/9)-ብርኽቶ/10)-ዋንቀብ/ 11)-(*)እንዳ ቂሽ።
እገላ ሓመስ	እገላ ጉራዕ	1)-ጉራዕ/ 2)-ትኹል/ 3)-እናደቆ ወይ እንዳ-ደቆ/ 4)-ምእቆላ/5)-ዓድ-ንፋስ/6)-ውጦሕ/7)-ጉደይቲ/ 8)-ዓድ-ጉልጉል/9)-ዝባን-ሰራው/10)-(**)ዓድ-ምሕጹን/ 11)-እንዳ ስላሴ፡ ውሑዳት ካህናት እዮም ዝነብርዎ። «ጉደይቲ» ክም'ኡ'ውን እቲ ኣብ ዝዕዕብ ጉልቲ ደቅ-ገብሩ ዝፍቀድ «ዓድ-ገና»፡ኣብ ትሕቲ ንጉባዊ-ምምሕዳር፡ ን ደብረ-ቢዘን እዮም ዝገብሩ ነይሮም።
	ደቅ ገብሪ	1)-ኾርዓርያ/ 2)-ዓድ ገና/ 3)-ሓድሽ ዓዲ።
	ኣውሊዕ ጾሩ	1)-ድንግል/2)-እምሑር/3)-ዓረቶ/ 4)-ዓድ ቀረጽ። እዞም ክልተ-ጉልቲ ብሓባር፡ «ኣብሩሕቶ» እዮም ዝበሃሉ ነይሮም። ኣውሊዕ ጾሩ፡ ከም "ደቅ-ኣድመኞም" እውን ይፍለጥ ነይሩ እዩ። ብዛዕባ "ዓድ-ገና"፡ ኣቐዲሙ እተገለጸ ተመልከት።

እንጋንእ÷ እገላ-ሓመስ፡ ኣብ መወዳእታ እዋናት ናይ ዝጸንሐ ንግስነት፡ ንቲ ከም «እንጋንእ» ዝፍለጥ መሬት ዘሪፉ፡ ንቶም ኣብዚ ዝነብሩ ዓድታት፡ ኣብ ሞንን'ቶም ሰለስተ እተጠቕሱ ጉልቲ ተማቒልዎም እዩ ነይሩ።
ከምዚ'ሉ፡ እገላ ጉራዕ፡ ኣፈልባ/ቀይሕ ኾር- እተባህሉ ዓድታት እንኪማሳሕ-
ደቅ ገብሪ ፡ ዓድ ደቅ-መሓረ/ደቅ ናጾ/እተባህሉ ዓድታት በጺሕዎ (ደቅ ናጾ፡ እተለቀ ዓዲ እዩ)።
ኣውሊዕ ጸሩ፡ ድማ ኣብ መወዳእታ፡ ሰስዓ እተባህለ ዓዲ እዩ ተማሲሑ።

እዚ ነገር'ዚ ከመይ'ሉ ከም እተፈጸመ ዘገርም እዩ። ምኽንያቱ፡መበቆል ህዝቢ እንጋንእ፡ ካብቲ ናይ እገላ-ሓመስ ኩን/ ካብ ናይ መላእ ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ እተፈለየ እዩ። ህዝቢ እንጋንእ፡ ንቶም ኣብ ሰሪየ ኣብ ጉልቲ-ጉንደት ዝነብሩ ኩን ንቶም ኣብ ዓይላ-ቆሓይን ዝነብሩ ህዝብታት እዩ ዝመስል። ወረ'ውን፡ ብኹሎም ነገዳት ንግስነት-ኢትዮጵያ ወኪላቶም ዝለኣኹሉ ካብ ዓድ-ሓበሻ ናይ ዝመጹ ወታሃደራት ማእከላይ-መደበር እዩ ዝመስል ነይሩ። ስለዚ'ውን ህዝብታት እገላ ሓመስ፡ ነዚ ወታሃደራዊ-መደበር ምድምሳስን- ጥንታዊ ዋንነት መሬት ምምላስን ኢና ንጉልቲ-እንጋንእ ተማሲሕናዮ ዝብል ምኽንያት እንተዘቕርቡ፡ ከገርም ኣይምተገብእን። እዚ ግን ስርወ-ሓሳብ ድኣ'ምበር፡ ጭቡጥ ሓበረታ ዘይርከቦ እዩ።

ብቕድም'ቲ እተኸፍለሉ እዋናት፡ ቅርጺ ጉልቲ-እንጋንእ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
እገላ ሓጺን	እንጋንእ	1)-ሰስዓ/ 2)-ቀያሕ ኾር(++)/3)-ዓድ ደቅመሓረ 4)-ደቅናጾ/ 5)-ኣፈልባ(++)።
	ሓደ ጉልቲ	1)-ዓድ ጋዣድ/ 2)-ዓድ ሁቕባእስ/ 3)-ክልተ ሰርሒ 4)-ዓድ ጕዶ/ 5)-ዓድ መረብ/ 6)-ዓድ ባሬን/ 7)-መንበሮ ከልኣ/ 8)-ኩዶ ጸላም/ 9)-ቀላይ በዓል ጥዒት/ 10)-(*)ዓድ ቀሺ/ 11)-(**)ዓድ ጸባ/ 12)-ዓድ ምሲጋን።

ተመልከት÷
እዚ ምድር'ዚ ውሑድ እዩ ህዝቡ። ዋሕዲ ምህርቲ- ተደጋጋሚ ናይ ኣንበጣ ወራር- ዝረፉ ሳሮ- ብደበብ እተኸየዱ ራሲያታት- እዮም ነይሮም ዋና ጸገማቱ።
እቲ ህዝቢ፡ ካብዚ ፃገር'ዚ ሓንሳብ ምስ ለቐቐ፡ ዛጊት ኣይተመልሰን።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ተድረር ወይ ሰለስተ ደቅ ድራር	ሰለስተ እንዳ እዮም ኣብ ሓደ ጉልቲ ተጠርኒፎም	1)-ግንኢ ሳባ/ 2)-መዓሐኖ/ 3)-ዓድ መኾዳ 4)-መርበት/ 5)-ዓድ ንብሪ/ 6)-ኾርጨቕምጠ/ 7)-ዓድ ጐልጐል/ 8)-ኣጕልዓ/ 9)-ሓዳስ/ 10)-እንዳ ዮሃንስ፡ ቤተ-ክርስትያን ኩን ውሑዳት ኣባይቲ-ካህናት ይርከብዎ። 11)-ዞርጠ/ 12)-እምባ'ርባዓ/ 13)-መሓረት ላም/ 14)-ሃባናት/ 15)-ቅናፍና/ 16)-ሓድሽ ዓዲ። ሓድሽ-ዓዲ፡ ኣስታት ሚእቲ ዓመት እቢሉ ካብ ግንኢ-ሳባ ብዝመጹ ሰባት እዩ ተሃኒጹ። ካብቲ መላእ ምድሪ

ብዝወሓዙ ህዝብታት ሽዓ'ይሉ በርኪቱ ድማ፡ ዓብን-እዝዩ እተሃዘበን ዓዲ እዩ።

ኣብዚ ምድር'ዚ ካብ ነዊሕ እዋን እተለቀቑ (ስለዚ'ውን ዘይተጠቕሱ) ካልኦት ዓድታት'ውን ነይሮም እዮም።

ናይ ታሪኽ ሓበረታ፥

ኣብቲ ኣከለ-ጉዛይ ንምምላኽ ብ ደጊያት-ውቤ እተፈጸሙ ናይ ወራር-ኩናት (ህዝቢ ሰራየ'ውን ተሓባባሪ ደጊያት-ውቤ ኮይኑ እተረኽበሉ) ምድሪ-ተድረር ብዝወረዶ ራስያን- ሓርነቱ ኣብ ሓደጋ ምእታውን- እቲ ዝያዳ እተሃሰየ ክፍሊ እዩ።
ውቤ፡ ሰራየ ዘበርከተሉ ሓገዝ ንምኽሓስ፡ ንምድሪ-ተድረር ከም መስፍናዊ-ዋንነት ኣወፈየሉ።
ምንም'ኳ ሃጸይ-ተድሮስ ናብ ኣከለ-ጉዛይ እንተመለሶ፡ ራእሲ ኣሉላ ብዘቕረቦ ሓሳብ፡ ሃጸይ-ዮሃንስ እንደገና ናብ ሰራየ መለሶ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
መረታ	መረታ ሰበነ	1)-ዳብር/ 2)-ፍሉሕ/ 3)-(*)ሰሰዐ/ 4)-(*) ተኽላ ዓቢ/ 5)-እምበይቶ/ 6)-ጸዓረ/ 7)-ቤት ሀበይ 8)-እናፈርሐ/ 9)-እንገላ/ 10)-ዓድ ሰታ/ 11)-ዓድ በነ/ 12)-ዓድ ኢዳ/ 13)-ማይ ኣሓ/ 14)-በራቜት ዓባይ(+)/ 15)-በራቜት ንእሽቶ(+)/ 16)-(*)ዓድ መርወይ/ 17)-ታውሮ/ 18)-ሓሊቦ።
	መረታ ቀያሕቲ	1)-ገርገራ/ 2)-ገደለ/ 3)-ኣሮን/ 4)-ዓድ ንፋስ/ 5)-ጐቜት/ 6)-ዓድ ፍኘዕ/ 7)-ፋግያይ ኣሒ። እቶም ካብ ነዊሕ-እዋን እተለቐቑ ዓድታት፡ ኣይተጠቕሱን።
ሽመዛና	እንዳ ዳሽም	1)-ቢሓት/ 2)-ጉቦ/ 3)-እምባ'ቕጻዓ/ 4)-ወግሪ ማንታ/ 5)-በረቓ/ 6)-ቆዳዱ/ 7)-በራቜት/ 8)-ዓድ'ጣል/ 9)-እንጠጦሎ/ 10)-ዓድ ዋጠት/ 11)-እዝጊ ጸራ/ 12)-ኣምባር ሓንዳ/ 13)-መኖች ጻሃይቲ 14)-ፍያሽያ/ 15)-ዓድ ሰራው።
	እንዳ ጸኣብዝጊ	1)-ፈጊእ/ 2)-ኣረሞ/ 3)-ኣሕፍሲ/ 4)-ማደረ/ 5)-መሳርዓ/ 6)-ዝባን-ዛግፈት/ 7)-ጨንሮ/ 8)-ዓድ'ንቁርቲ/ 9)-ዓድ-ዓባስ/ 10)-ማይራ-ደቂ/ 11)-ጨፋ/ 12)-ማይ-ቀይሕ/ 13)-ጸላእ/ 14)-ጭዓ/ 15)-ኣጕርፍ/ 16)-ዓድ-በግዐ/ 17)-ክሳድ እምባ/ 18)-ዝቕሎ/ 19)-እምባላኽ/ 20)-ዓድ'ጣል/ 21)-ሳሎዳ/ 22)-መንገድ'ርጢ/ 23)-ዓጋብ ቆርጻ/ 24)-ዓድ ሕዘ/ 25)-በዲለ/ 26)-ሕን ያና/ 27)-ቀልቀል ምላሽ/ 28)-ዓድኾሪ።

ተመልከት፥

እዚ ከባብ'ዚ፡ ብጸዕቂ እተሃዘበ እዩ። እቲ ግዙፍን-ብዙሕ ህዝቢ ዝነብሮን ሰንዓፈ እተባህለ ዓዲ፡ ምስ'ዚ ምድር'ዚ እዩ ፍቕዱ። ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ «ሳሆ» እዮም'ውን ዓብላሊ ቍጽሪ።
ሰንዓፈ፡ ግብሪ ከይከፈለ፡ ንመራሕቲ ሽመዛና ብጥረ-ነገር ዝቕርብ ህያባት እዩ ከበርክት ጸኒሑ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ወደ'ክለ ኣኽራን	ሓደ ጉልቲ	1)-ገርገራ/ 2)-ዓድ'ርባዕተ/ 3)-እንኮ'ውሊዕ/ 4)-ጸሊም-ቀላይ/ 5)-ዓሳስ/ 6)-ዓድ-ኺላ/ 7)-ሓድሽ ዓዲ/ 8)-ቀነቶ/9)-እንጉብጦ/ 10)-ቃንእን/ 11)-ዓድ ሹሖ/ 12)-መስሓል ኣኽራን/ 13)-እንጣ

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ወደ'ክለ መስሓል	ኣብ ክልተ ፍሉያት ክባቢ እተኸፍለ ሓደ ጉልቲ እዩ።	ሀ)-ደቅ ዘርኢ ሞሲ፥ 1)-ማይ - ጉንዲ/ 2)-(*)ዓሳዱር/ 3)-ቀርኒ ማይጫዓያ/ 4)-በርቃ ነይነይ/ 5)-ዓሰታ/ 6)-እዙሕ/ 7)-ቁሸት/ 8)-ዓድ ሃንስ/ 9)-ማይ ሩባ/ 10)-ነጠባ/ 11)-ጻዕዳ በዓቲ። ለ)-ወደ'ክለ መስሓል (ብቐንዱ) 1)-ዓድረፋይ/ 2)-ዳዕሮ - ዓመ/ 3)-እንዳጋብር/ 4)-ምሽጋእ። እዞም ኣርባዕተ ዓድታት ብፍላይ እዮም ንቲ ከም «ኾኾባይ» ዝፍለጥ ዝነበረ ምድሪ ዘቖሙ ነይሮም። 5)-ክሳድ ብርቓ/ 6)-ጸተን/ 7)-ማይ የጉሊ/ 8)-ዓድ መስሓል/ 9)-ገዳሰሓ/ 10)-ዓድ ካሪው/ 11)-ዓድ ሓዞ/ 12)-ሰገለት/ 13)-ዓድ ኣሓ/ 14)-ዓድ ኣጣል/ 15)-ሑጻ/ 16)-ሰርዓ/ 17)-እምባብደሓን/ 18)-ዓድ ማይ ጻዕዳ/ 19)-ምራራ/ 20)-ዝባን ኣውሊዕ/ 21)-ዓድ ባኾር/ 22)-(*)ዓድ ደብዳድ/ 23)-ዓድ ነግዲእ/ 24)-ጌርጌር/ 25)-መንበር/ 26)-ጻዕዳ ኾርሲ/ 27)-ረቖይቶ።

ተመልከት፥

ደቅ ዘርኡ ሞሲ ጽቡቕ ምህርቲ ኣብ ዘለትወሉ ዓመታት፥ካብቲ ንመላእ ጉልቲ ዝግባእ ግብረ-መሬት፡ ሓደ-ሰለስ(1/3) እዮም ዝኸፍሉ ነይሮም። እቶት ኣብ ዘይረኸብሉ እዋን ግን፡ ሓደ-ርባዕ(1/4) እዩ ክኸፍሉ ጸኒሑ።

ቤት-ፍርዲ ናይቲ መላእ ከባቢ፡ ኣብ ዓድ-መስሓል እዩ ዝውዕል ነይሩ። ኣብዚ እዩ'ውን እቲ ንነዊሕ እዋን መራሒ ኮይኑ ዝጸንሐ ውሩይ ስድራ-ቤት «እንዳ ፍሉሕ» መናበሪኡ ዝነበረ። እቲ ዓዲ'ውን ንባዕሉ፡ ብስም'ቲ ጥንታዊ ኣባሓጉ፡ ከም «እንዳ ክንቲባይ ፍሉሕ» እዩ ዝፍለጥ ነይሩ።

መጠራ ኮነ እቲ ድሮ ኣብ ሓፈሻዊ-ሓበረታ ናይዚ ወረዳ'ዚ እተጠቕሰ ደገዐን-ወገራ እተባህለ ከባቢን፡ ኣብ ምድሪ ወደ'ክለ መስሓል እዩ ፍቕዶም።

ህዝቢ ወደ'ክለ መስሓል ምስቲ ሰዒቡ ዝቕርብ ህዝቢ ከባቢ ደገዐን፡ ተመሳሳሊ እዩ ባህርያቱ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ሎጎ ሳርዳ	ሓደ ጉልቲ	1)-ዓድ ሓመድ/ 2)-ስቁም/ 3)-ምራራ/ 4)-ሳጸ/ 5)-ምንጸፍ ጮማ/ 6)-ግርባብ ጸልአ/ 7)-ሳርዳ/ 8)-እግሙእ/ 9)-ዓደባታ/ 10)-እንፍያና/ 11)-ማይ ጨና/ 12)-ደባር ክስታን/ 13)-ዓድ ሓማዮ።

ተመልከት፥

ብዘይካ ኣብ «ሳርዳ» እተባህለ ዓዲ፡ ኣብዚ ጉልት'ዚ ውሑዳት ህዝቢ ይነብሩ።
«ግርባብ-ጸልአ» እተባህለ ቁሸት፡ ፈጺሞም ዘይግብሩ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ "ሳሆ" እዮም ዘጋታቱ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ደገዐን	ዓድ ጉልቲ	1)-ፍርቃ'ብዓ፡ እቲ ካልኣይ-ፍርቂ ከም ዝረአናዮ ኣብ ጉልቲ ዓድ-እድም ዝኣቱ፡ ዋንነት ደ'ጉዛይ እዩ። 2)-ዓድ ወርሒ/ 3)-ማይ ውራይ/ 4)-ዓድ ጉዛቦ/ 5)-በዓ'ጣቓ/ 6)-ባዓት ጽሉም። እዚ ጉልት'ዚ፡ ገዛር «ደብሪ-ቢዘን» እዩ።
	ዓቃብ ሰዓት	1)-ቤት ሽማቲ/ 2)-እምባ ባርያ/ 3)-በዓቲ ሜዋ/ 4)-በዓቲ/ 5)-ሓድሽ ዓዲ። እዚ ጉልት'ዚ፡ ን «ደብረ-ሊባኖስ» እዩ ዝግበር።

ተመልከት፥

ክልቲኦም ደብርታት ኣብ ነፍስ-ወከፍ ጉልቶም ሓደ ካህን እዮም ከም ወካሊ ዝመርጹ። እተመርጸ ካህን እዩ ድማ ነቲ ኣብዚ ጉልት'ዚ «ነባራ» ተባሂሉ ዘመሓድር መራሒ ክስየም- ክረጋግጽ መሰል ዝነበሮ።
ኣብ መላእ ደገዐን ዝውዕል ናይ ሓባር ዕዳጋ ኰነ ቤት-ፍርዲ፡ ኣብ እግሪ "እምባ-ጉዛቦ" ዝርከብ «ጐልጐል-ምጽላይ» እተባህለ ቦታ እዩ ዝካየድ ነይሩ።
ደብሪ-ቢዘን፡ ካብ "ዓድ-ጉልቲ" ዘዋጽኦ ግብሪ፡ ምስ ንጉስ ንፍርቂ እዩ ዝማቀሉ። ደብሪ-ሊባኖስ ግን፡ መላእ ግብሪ "ዓቃብ-ሰዓት" ንባዕሉ እዩ ዘውዕሎ ዝነበረ። ዓድ-ጉልቲ ግን «ፈሰስ» ካብ ምቕራብ ነጻ ከኸውን እንከሎ፡ ጉልቲ ዓቃብ-ሰዓት ብ «ፈሰስ» ይግደድ እዩ።

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ቤት መጣዕ ወይ ኣንበሰት ገለባ	ሓደ ጉልቲ እዩ	1)-ኣሕዝ/ 2)-ደባር እስላም፡ ኣብ ምስልምና ዝመነ ዓድ-ሳሆ እዩ። ከምኡ ሎሚ ክይደኸመ፡ ዓቢ/ሃብታም-ኣዝዩ እተሃዘበን/ ዓዲ እዩ ዝነበረ። 3)-ሓም/ 4)-ቍዓናዱቕ/ 5)-ምትኳስ/ 6)-ታርቃ 7)-ዓድ መረታ/ 8)-ያና'ለስቲ/ 9)-ዓድ ተላ/ 10)- ወግሪቦ/ 11)-ፋሐ/ 12)-ኣረገን/ 13)-ሞጉእ/ 14)-ኣንበሰት/ 15)-ገለባ።

ተመልከት፥

ኣዚ ከባብ'ዚ ውሑድ እዩ ህዝቡ። ኣብዚ ምድር'ዚ ዝነብር ሓሳፊ ደብረ-ሊባኖስ እዩ ድማ ከም ሹም-ጉልቲ ዘመሓድሮ። ስለ'ዚ ድማ፡ ከምቲ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ማእከላይ-መዋእል፡ ብ «ኣበምኔት» ወይ ሓሳፊ ደብረ ዝመሓደሩ ዋንነት፡ መስፍናዊ-ምምሕዳር እዩ ዝነበሮ።

ውስጠ-ጉልቲ ወረዳ ኣከለ ጉዛይ።

ዓዲ	ምድሪ	ሓበሬታ
ሓሺራ	ደ'ጉዛይ	እዞም ዓድታት እዚኦም ን«ወይዘሮ ኩሳሳይት»እተባህለት ጓል ሓደ ስሙ ክፈልጦ ዘይከኣልኩ ንጉስ፡ ንዝሚ ተባሂ-ሉም እተሃንጹ ዓድታት እዮም።
ጸዳ	ደ'ጉዛይ	
መሲሓም	ደ'ጉዛይ	እቲ ጉልቲ፡ ዋንነት ናይቶም ኣብ ትግራይ ተረፎም ዝበሃሉ ዘርኢ ናይዛ ጓል-ንጉስ ኩይኑ እዩ ጸኒሑ።
ኣሳንጎ	ተድረር	ዋንነት ጉልቲ-ኩዶፈሳሲ እዩ ዝነበረ።
እንዳ'ባ ሸቑንዶ	ተድረር	ምንም'ኳ ንመኖም ካብ ጉልታት-ሰራየ ብልክዑ ከም እተዋህበ ድኣ ኣይፈለጥ እምበር፡ እዚ ምድር'ዚ ንወረዳ-ሰራየ ከም እተመሓላለፈ ይዝከር። ከም ዝመስሎ ድማ፡ ን «ዓድ-ሞንጎንቲ» ከይኮነ -ኣይተርፍን።

ትዕዝብታዊ ገምጋም ህዝብታት ናይዚ ወረዳ።

ኣብ ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ በብወገኑ ዝቐርብ ሓበረታ፡ ምስቲ ኣብ ካልእ ክፍለ-ወገናት መረብ/ምላሽ ብርግጽ ዝፍለጥ ገምጋም ምስ ዝመዛዘን፡ ከም ዝመስሎ፡ ኣብ መወዳእታ 1892 ዓ.ም. ፍቕዲ-ህዝቢ ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ ብኹሉ፡ ካብ 50 ክሳብ 60 ሽሕ-ህዝቢ ይነብርዎ ተባሂሉ ይግመት። ካብዚኦም ድማ፡ ኣስታት 7000 ዝግመቱ፡ ካቶሊክ ክኾኑ እንከለው፡ 500 ሚእቲ ኣቢሎም እስላም ይፍቀዱ። ዝተረፉ፡ ተዋህዶ-ሞኖፊዚታውያን-ክርስትያን ምኺኖም ይፍለጥ። ካቶሊካውያን፡ ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ «ሰለስተ ወደ'ከለ» ክጥርነፉ እንከለው፡ እስላም ብደቡብን/ ኣብ ሰንዓፌ/ ኣብ ሓድ-ሓደ ቦታ ሽመዛና፡ ብሕልፊ ድማ፡ ኣብ ጉልቲ "ቤት-መማዕ" ይርከቡ።

****

ኣውራጃ ደቃ-ወረሰናዝጊ።

ኣብ *ሰራየ/ቆሓይን/ደቃ ተስፋ፥* ብዛዕባ "*ሰማዊ-መበቆል*" ህዝብታት መረብ/ምላሽ ዘዘንትውዎ ዛንታ፡ ኣብ ደቂ'ቕ ወገናቱ ካብቲ ናይ ደቅ-ሚናብ እተፈለየ እዩ።

ኣብዚ፡ ኣብ ኣውራጃ ደቃ-ወረሰናዝጊ፡ እቲ ህዝቢ ቁሩብ ናይ ልዕለነት ዝምባለ ሓዊሱ፡ ብዛዕባ'ቶም ንቀዳማይ-ምኒሊክ ኣብ ንእስነቱ ክሰንዩ ዝመጹ ሽድሽተ-ደቅ ያቆብ ኣይጥቀስን። እንታይ ድኣ፡ ብዛዕባ *ይሁዳ-ለመንግስት/ለዊ-ለሊቅነት/ብንያም-ለጦር* ማለት፡ ይሁዳ-ንንግስነት/ ለዊ-ንክህነት/ ብንያም-ንብረት/ ተባሂሉ ይዝረብ።

ብመሰረት'ዚ ድማ ኣብ ደቃ-ወረሰናዝጊ፡ ዘርኢ ይሁዳ/ለዊ/ብንያም/ እዮም ልኡላን ርእሰ-ነገድ ዝበሃሉ። ብዝተረፈ፡ ዘርኢ'ቶም ዝተረፉ ደቅ-ያቆብ ብድኾነት ተናዒቖም ኣይዝከሩን። እዚ ግን፡ ናይ ትዕቢት ኣዘራርባ ድኣ'ምበር፡ ኣብ ሞንጎ'ቶም ሹማግለ-ማኪታይ ዝበሃሉ ዓሌት'ሲ ሕጋዊ ፍልልይ ኣይነበረን።

እቲ ዛንታ እናቐጸለ ከም ዝገልጾ፡ ን «ብንያም ወይ ሚናብ» እቲ ሎሚ ከም ኣከለ-ጉዛይ ዝፍለጥ ወረዳ እዩ በጺሕዎ። ን «ለዊ» ሓማሴን። ን «ይሁዳ» ድማ ሰራዌን እቲ ንባርካ ገጹ ዘብል መሬትን እዩ ብጽሒቶም።

ይሁዳ፡ ኑቲ ምኒሊክ ብ "*ክኔው-መረብ*" የካይዶ ዝነበረ ወታሃደራዊ-ወፍርታት ንምስታፍ ቅድሚ ምብጋሱ፡ ኣብቲ ንዓኡ እተዋህበ መሬት ዝቐመጡ ሰለስተ-ደቂ ነበርዎ። *ወረሰናዝጊ* እተባህለ ሓደ ካብ ዘርኡ ድማ፡*ማኢ- ምልጋእ- ተስፋ* እተባህሉ ውላድ ወለደ። ብድሕር ሞት ወላዲኦም ግና ስኒት ስለ ዝሰኣኑ፡ ተስፋ እቲ ምንእሶም፡ ንሕዋቱ ተቓወመ። ክልተ-ኣሕዋት ብሓባር ኣንጻሩ ተላዕሉ'ሞ ምስ ሰዓርዎ፡ ንዓኡን ሰዓብቱን ኣብቲ ናብ "*ፈለግ-ሰና*" ገጹ ዘብል በረኸትን-ኣጻድፍን ምዕራብ ክበሳ ደፍእዎም።

እዚ ኣብቲ እዋን'ቲ ሰብ ዘይነብረሉን፡ ቀጺሉ ግን ብስም መስራቲኡ እተፈልጠን-እተሰመየን ወረዳ፡ ካብቲ ሰለስተ ደቅ-ወረሰናዝጊ ዝነብርሉ ካልእ ወረዳታት፡ እቲ ምዕራባዊ-ቦታ ዝሓዘ ወገን እዩ።

ኣብ ምቅሊት ውርሻ ኣቦኦም፡ ንማኢ እቲ ሰራየ እተባህለ ዝበለጸ ክፋል፡ ንምልጋእ ግን ቆሓይን እኳ እንተበጽሖም፡ ማኢ-ምልጋእን ብስኒት እዮም ነቢሮም።

እቲ ሰዒቡ ዝመጸ ወለዶ ደቅ-ወረሰናዝጊ፡ ኑቲ ሕሉፍ ናይ ኣባሓጎታት ጽልእን-ምምቕቓልን፡ *መፈጸምታ* ዝገበረሉ ይመስል። ከም ዝዝንተወሉ እውን፡ እቲ ንሶም ዝነብርሉ ሰለስተ-ወረዳ ኣብቲ ዝሰዓበ እዋናት፡ ሓደ «ኮንፌደራላዊ» ዝመስል ስርዓት ኣቑሙ ንነዊሕ-ዘመናት ከይለወጠ፡ ብሰላም- ፍትሒ- ስኒት- ነቢሩ ይበሃል።

እቲ ኣብ ሞንጎኦም ክለዓል ዝኽእል ዝነበረ ፍልልይን-ምስሕሓብን፡ ብፍንው መልክዕ ወይ ብባህሪ እዩ ኣብ ኣሊዖተ-ፍርዲ፥ *ዓረዛ/ ማይ ላሓም/ ማይ መንዐ/ ማይ ጊፍ/ ዓድ ምንጎንጊ/ ኩዶፈላሲ/* ከምኡ'ውን ስሙ ክፈልጦ ዘይከኣልኩ ሓደ-ዓድን፡ ክዳኒ ጸኒሑ። ኣብቲ "ኮንፌደራስዮን" ብስም «ሸውዓተ ዓድ-ሕጊ» ተፈሊጦም ድማ፡ ፈራዲ-ኣካል፡ ብናይ ሓባር ስምምዕ ናይ ዝምልከቶም ወገናት እዩ ዝምረጽ ዝነበረ።

ከምዚ'ሉ እቲ ውሽጣዊ-ግርጭታት ደረት ይግበረሉን፡ ኣንጻር ምፍርራሕን-ግዳማዊ ረጽምን ድማ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ብዝረአናዮ ኣገባብ፡ ኩሎም'ቶም ኣብቲ "ኮንፌደራስዮን" ዝነብሩ ብረት-ምልዓል ዝበቕዑ ዜጋታት፡ ኣብ ፍሉይ ቦታ ተኣኪቦም «ክተት» ይብሉ ነበሩ።

እቲ ስግኣት ብወገን ትግራይ ምስ ዝኸውን፡ «ክተት» ኣብ ቤት-ገብርኤል ይእወጅ። ኣንጻር ባርያ-ባዛ፡ ኣብ ዓረዛ ክተት ይበሃል። ንምናልባት ብሰሜን ወይ ምብራቕ ዝቕልቀሉ ጸላእቲ ድማ፡ ኣብ ኩዶፈላሲ እዩ እቲ ናይ ክተት ምጥርናፍ ዝእከብ ዝነበረ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፣ እቲ ሃገር ልክዕ ከምቲ ኣብ ደቅ-ሚናብ ብዝረአናዮ እንባብ፣ ኣባታዊ-ቅርጺ እዩ ዝነበር። ከም ዝመስሎ ግና፣ ኣብ ደቃ-ወረስናዝጊ እቲ ሹም-ዓዲ/ ሹም ጉልቲ ዝብል መዝነት፣ ከምቲ እገባብ ዋንነት-መሬት፣ ብእዋኑ እዩ መትከል-ውርሻ ተኸቲሉ። ብግብረ እውን ኣብ ደቃ-ሚናብ፣ መሬት ነፍስ-ወከፍ ዓዲ፣ ሓባራዊ-ዋንነት ናይቲ ዓዲ ተባሂሉ፣ ማሕበር ሽማግለ-ዓዲ ድማ፣ እቶም ደቅ-ዓዲ ንውሱን-ጊዜ ክሓርስዎን-ክጥቀምሉን (ብዝኾነ ካብ ሸውዓተ-ዓመት ዘይነውሕ) እዩ ዘዋድቖ ነይሩ።

ኣብ ደቃ-ወረስናዝጊ (ዋንነት-መሬት ንዘይ ደቅ-ዓዲ ኣይማባእን ዝብል መትከል እኳ እንተሃለወ)፣ ካብ ኣዝዩ ነዊሕ-እዋን ኣትሒዙ፣ ኣብ መላእ ሰራየ ኮነ ኣብ ዝተረፈ ክልተ ወረዳ፣ እቲ መሬት ሓንሳብ ኣብቶም ደቅ-ዓዲ ምስ ተዋደቐ፣ ንተባዕታይ-ዘርኦም ከም ውርሻ ምምሕልላፍ ዘፍቅድ ተኸእሎስ፣ ጸኒሕዎም እዩ።

ብዘመኑ፣ መላእ ደቃ-ወረስናዝጊ ኣባል «ምድረ-ባሕሪ» እዩ ዝነበረ።

ቀጺሉ'ውን ስልጣን "እንዳ-ጸዓዚጋ" እሚኑ፣ መብዛሕትኡ ህዝቢ ተኸታሊኦም ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ልክዕ ከም ሓማሴን እውን፣ ሕጋዊ ግብረ-መንግስቲ፣ ኣብቲ ከም ዘመነ-ፍትሒ/ ሰላም/ ራህዋ/ዝዝከር እዋን ንግስነት «ሃጸይ ዳግማይ ኢያሱ-1729-1753 ዓ.ም.» እዩ ክኸፍል ጀሚሩ። እቲ ጊዜ'ቲ ድማ፣ "እንዳ-ጸዓዚጋ" ዝለዓለ-ሜፍ ዕብየት ስልጣኑ ኣረጋጊጾሉ ዝነበረ እዋናት እዩ። ብ"ከኒው-መረብ" ንትግራይ ዝሒኡ፣ ኣብ ዓድዋ ዝቐመጥ ኣመሓዳሪ ኣቐሚጡ ነበረ። ብ"ተከዘ" ኪናኡን ደፊኡ፣ ኣብ "ወልቃይት" ከይተረፈ፣ ብተባዓት መኳንንቲ ደቅ-ደጊያት ገብረክርስቶስ ዝምርሑ ሰራዊት ነይርዎ እዩ። ንሳቶም እዮም ድማ ንዕምበባ መንእሰያት መረብ-ምላሽ/ትግራይን እስ-ሊፎም፣ ንቶም ኣብ ብልሽውና ዘምረሖ ንጋውስ-ኢትዮጵያ መሊኾም ናይ ሓቂ ጉይ-ቶት ኮይኖም ዝጸንሑ ህዝብታት-ጋላ፣ ክውግሱ ዝለኣኹ ዝነበሩ።

ከምኡ'ውን፣ ንዝተረፈ ክፍለ-ወገናት ኢትዮጵያ ስልጣነ ጥንታዊ «ምድረ-ግእዝ» ዘመሓላለፈን፣ ኣብ ካልእ ወገናት ናይዚ ሃገር'ዚ ክርክብ ብዘይሕሰብ እገባብ ድማ ስርዓት/ሰላም/ፍትሒ/ ከውሕስ ዝኽእለ፣ መኩንናዊ እንዳ-ጸዓዚጋ ምኺኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ንከም'ዚ ዝእመሰለ ስርዓት እዩ'ውን ትዕቢት ራእሲ-ሚካእል ስሑል፣ መፈጸምታ ዝኒርሉ።

ብእኡ፣ ብሚካእል-ስሑል እዩ'ውን እቲ ኑቶም ብ"ነጀው-ተከዘ"ዝርከቡ ሃገራት ዘጎዓዝ ዘመነ-ፋሉልነት/ ሽበራን/ ጀሚሩ።

እቲ ስቅያት፣ ካብ ዝኾነ ወረዳ መረብ/ምላሽ፣ ኑቲ ኣብ ቅድሚት ተሰሪው ብልጽግናኡ ድማ ንራስያ ዝዕድም ወረዳ-ሰራየ እዩ ብዝያዳ ኣደራዕ ኮይንዎ።

ወረዳ ሰራየ

ስም ናይዚ «ሰራየ» ዝብል ብሉጽ ወረዳ መረብ/ምላሽ (ወረ'ውን ካብ ግዝኣትናስ -ግዝኣት ኢጣልያ- እቲ ዝበለጸ ዝበሃል ወረዳ) ካበይ ምኺኑ መበቆሉ፣ ካብ "ሰራሕ" ዶ? ካብ "ሰራይ"? ዝብሉ ቃላት ቋንቋ-ትግራይ(ትግርኛ)፣ መሰረቱስ እዚ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን።

እቲ ቀዳማይ ምስ ዝኸውን፣ ሰራየ ማለት "ዓድ-ሰራሕተኛታት" ምኾነ ትርጉሙ። እቲ ካልኣይ ድማ፣ "ሰራይ" ብቋንቋ-ጣልያን ተተርጒሙ "መድሃኒት" ማለት እዩ። ስለዚ እቲ ዓዲ፣ ዓድ-ጥዕና ምመሰለ ገለጻኡ።

ብዛዕባ እዚ ወረዳ'ዚ እፍልጦ ዝመለኸ ሰብ ከም ዝርድኦ፣ እዚ ክልተ ትርጉም፣ ተማሳእይ እዩ። እዚ ሎም ሰፊሑ ዝረአ ድንግርግርን ናይ ስደት መልክዓትን ንወገን ገዲፍካ፣ ፈቖድኡ ዝርከብ ኣሰራት ከም ዝሕብሮ፣ ኣብ ዘመኑ፣ እቲ መሬት ብጥንቃቐ ይሕረስ ምንባሩን፣ ብዝሒ ናይቶም እተለቐቑን-ዝባደሙን ዓድታት ኮነ/ብዝሒ ዝነብሩ

ህዝብን ተገንዚብካ፡ ማንም ንሰራየ ዝበጽሐ ሰብ፡ ብእዋኑ ኣብዚ ወረዳ ዝነበሩ ህዝቢ፡ ብብልጽግና ይነብሩ ምንባሮም ኣይስሕቶን።

ጥዕና ናይዚ ወረዳ ንዝምልከት'ውን ተቓውሞ ኣይቀርቦን። ብሕልፊ ምስቲ ብሰለስተ ወገናት ቀኒቱ ዝሕዞ ቆላታትን- ምስቲ ብሰሜኑ ናይ ዝርከብ "ሓማሴን"ድሩቕ-ኣየርን እንተድኣ ተመዛዚኑ፡ክኑታት-ኣየር(ክሊማ)ወረዳ-ሰራየ፡ ጥዕና ዘለዎን-ተፈታውን ኰይኑ ወትሩ ጽድያ እዩ።

ወረዳ-ሰራየ ኣብ 'ትብጽሓሉ፡ ኤውሮጳዊ-ጉልበት ብዝሓርሶ መዓልቲ፡ እንታይ ዝበለ ምርኢት ምኾኑ ውጽኢቱ ዝብል ሓሳብ ይምስጠካ።

ብቕድም'ቲ ፋሉላዊ-እዋናት፡ ወረዳ-ሰራየ ኣብ ሰለስተ-ጉልቲ እዩ ዝኽፈል ነይሩ። ህዝብታቱ ድማ፡ ደቂ ሓደ-ነገድ ክነሶም፡ ኣብ ሰለስተ-ጨንፈር ይኽፈሉ።

እቶም ጉልታት፡

1)-ጉልቲ ተኸላ -

2)-ጉልቲ ማይ-ጻዕዳ (ጫዕዳ ወይ ጸዓዳ ክኸም ኣደማምጻኡ)

3)-ጉልቲ መራጉዝ ወይ ክፋል ናይቲ ስዒብና ብደቂቕ እንምልከቶ መሬት ነገደ-ማኢ. እዮም ዝነበሩ።

ክምቲ ኣብ ካልእ እተጠቕሰ ሕጂ'ውን ንምዝኽኻር፡ ጆግራፍ(ቅርጺ-መሬት) ናይቲ «ምድሪ»ዝበሃል ኣጸዋውዓ፡ ነቲ ኣብዚ ሃገር'ዚ ፍጹም ትርጉም ዝወሃቦ ብነገድ/ብሄር-ህዝቢ/ ዝፍጸም ዞብኣዊ-ምክፍፋል፡ ኣይመሳሰልን እዩ። ስለ'ዚ ኣኸቲልና ክም እንርእዮ፡ ብዛዕባ -ቆሓይን- መራጉዝ- መግለጺ ኣብ እንህበሉ፡ ሓደ-ክፋል ነገደ ምልጋእ እውን ክም ዝነብሮ ክንምልከት ኢና። ስለዚ ምድሪ-መራጉዝ ክበሃል እንከሎ፡ ኣብ ክልተ-ክፋቢ ይኽፈል ማለት እዩ፥ ሓደ ን «ደቂ-ማኢ.»/ እቲ ካልኣይ ድማ ን «ደቂ-ምልጋእ» ይብጽሖም።

መበቆል-ስም ናይዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ሰለስተ-ጉልቲ፡ንትርጉም መጸዋዕታ ናይቲ መላእ-ወረዳ ይገልጾን/ ዘይስት ርእይቶ ይህበሉን። ምኽንያቱ፡ ተኸላ ማለት፡ ዓድ-ተኸልቲ ወይ ኣትክልቲ ማለት እዩ። ማይ-ጻዕዳ፡ ክም ስሙ ጽሩይ ማይ። መራጉዝ ድማ ን "መርጉዝ" ዝብል ቃል ለውጢ ተገይርሉ፡ ሃብታም ማለት ኰይኑ፡ ንፍር-ያምነት ናይቲ መሬትን- ዝኸተል ብልጽግና ህዝብን ይገልጽ።

እዞም ሰለስተ-ጉልቲ፡ ተምሳል «ኣባታዊ-ስርዓት» ዝኸተል መንግስቲ ኣቕሞም፡ ኣብ ነፍስ-ወከፎም፡ ኣይተ-ኣይቶ ዝበሃሉ ሹም-ጉልቲ ነበርዎም። መናበሪኦም ድማ፡ ሹም-ጉልቲ ተኸላ፡ ኣብ ታኺታ ጥቓ ተራእምኒ እዩ። ሹም-ጉልቲ ማይ ጻዕዳ፡ ኣብ ደርዓንቶ ማይ-ጉርዲ ይነብር። ሹም-ጉልቲ መራጉዝ ድማ፡ ኣብ ኣርግጸና እተባህለ ዓዲ።

ነፍስ-ወከፍ ሹም ጉልቲ፡ ምስቶም ዘመሓድሮም ህዝቢ ሓደ እዩ ነገዱ። ክም ወኪል ናይቲ ጥንታዊ ናይ ሓባር ስድራ-ቤት ድማ፡ ኣብ ልዕለኦም ዝነበሮ ናይ ጸብለል መዝነት፡ "ቦኽሪ" ናይ ምኳን ድኣ'ምበር ካልእ ምኽንያት ኣይነበሮን።

ክምኡ'ውን እንዳታት ሹም-ጉልቲ ናይዞም ሰለስተ-ወረዳ፡ ብዝምድናን/ናይ ሓባር መበቆልን፡ ይተኣሳሰሩ እዮም።

ኰይኑ ግና፡ ኣብ እንዳታት «ጉልቲ ማይ ጻዕዳ» ስኒት ኰነ/ ዘቤታዊ-ስርዓት፡ ክምኡ እውን እቲ ብታሪኽ ወድ-ሰብ ን'ንዳ-መኳንንቲ ሓይሊ ዘደልብን/ ስልጣን ዘረጋ-ግጽን/ መትከል ሕገ-ቦኽሪ-ውነት ነኒሱ ኣይፈልጥን። ውሽጣዊ ዘይምስናይ ናይዚ እንዳ እዩ'ውን፡ መንቀል-ምኽንያት ናይቲ ንነዊሕ እዋን ንማይ-ጻዕዳ ብፍላይ፡ ንመላእ ሰራየ ድማ ብዓቢኡ ዝሳቐየ ግርጭታት ኰይኑ ተረኺቡ። ምስሕሓብ ናይዚ እንዳ'ዚ ድማ፡ ንመላእ ኣብቲ ወረዳ ዝጸንሐ ዘይምስናይ ስለ ዘንጸባርቕ፡ ሓፈሻዊ-መብርሂ ክወሃበሉ ናይ ግድን ይኸውን።

ኣብ ታሪኽ ኣዚና ድሕሪት እንክይተመለስና (ዕዮኡ ክቢድ- ነዚ ምጡን ጽሑፍ እውን ስለ ዘይዳረጎ)፡ ኣብ ናይ መወዳእታ እዋናት ንግስነት «ሃጼይ ዳግማይ ኢያሱ» ጥራሕ

ምስ እንምልከት፡ "እንዳ-ማይ ጸዕዳ" ኣብ ክልተ መሰረታውያን ጨናፍር ተመቒሉ ንረኽቦ።

እቲ ዋና/ ቀዳማውን፡ *ተኸሊት- ኣዝማች ዑቕቢት* ብዝበሃሉ ክልተ-ኣሕዋት ዝውከል ጨንፈር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ፡ ዘርኢ *ኣይተ-ስምረት* እዩ።

ስዒቡ ድማ፡ ምኽንያቱ'ኳ ብርግጽ ዘይፍለጥ ናይ ሓድ-ሕድ ዘይምቅድዳው፡ መሬት ማይ-ጸዕዳ እንደገና ኣብ ሰለስተ ንኡሳን-ጉልቲ ተኸፍለ ።(ብቕድም'ዝን፡ቅድሚ ብዙሕ-ወለዶን፡ ኣገዳስነቱ'ኳ ውሱን እንተኾነ፡«እግረ-ምኸኣል» እተባህለ ጉልቲ ተፈንጪሉ ጸኒሑ እዩ)-

ብመሰረት'ዚ ድማ፡ ን "ተኸሊት" ጉልቲ ዓድ-ኽፋ እንኪኸውን ክፍሊቱ፡ "ኣዝማች ዑቕቢት" ኣብቲ ካብቲ እዋን ኣትሒዙ ብስሙ ዝፍለጥ ጉልቲ *እንዳ'ዝማች ዑቕቢት* ተወሰነ። ዘርኢ "ኣይተ-ስምረት" ድማ ኣብዚ ሎም ከም /ሓሰን/ ዓድ-ባሕሮ/ጋዚእን/ ዝፍለጡ ጉልቲ ሰፈረ። እዞም ዳሕረዎት፡ ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ሓደ-ጉልቲ ኮይኖም ጸኒሖም፡ ብስም ወዱ ንኣይተ-ስምረት ከም «እንዳ'ዝማች ዮሃንስ» እዮም ዝፍለጡ ነይሮም።

ኣብ ሞንን ኣባላት እዚ እንዳ'ዚ ግን ካልእ ጽልእን-ውድድርን ከሕቴን ጸኒሑ፡ ኣብቲ ናይ ፋሉልነት-ዘመናት ገንፊሉ፡ብሓያል ጽልኢ ኣብ ክልተ-ዓውዲ ተኸፊሎም ብብረት እውን ክይተረፈ ሓደ እንጻር'ቲ ሓደ ተላዕሉ።

«ኣይተ-ካፍለት» እተባህለ ወድ-ተኸሊት ከም ዝረእናዮ ጉልቲ ዓድ-ኺላ ተዋሂብዎ ምስ ሓንቲ ጓል መኳንንቲ-እንዳ ጸዓዘጋ (ጓል ደጊያት-ዓምደሃይማኖት) እዩ ተዋሲቡ ጸኒሑ። ካብዚእ'ውን፡ ገብረልኡል/ገብረድንግል/ኣስራት/ተኸሉ -ኣባል/ እተባህሉ ኣርባዕተ ደቂ ነበርዎ።

ኣይተ-ሚካኤል(ሚካኤል ሰሑል) ራእሲ ትግራይን/ ተማባቒ ንግስነት-ኢትዮጵያን/ ምስ ተባህለ፡ ኑቲ ክሳብ "ኣመሓዳሪ ዓድዋ" ዝብል መዓርግ ክብ ዘበሉን ከም ወድ-ገዛ እውን ዝኾስኩሶ እንዳ-ጸዓዘጋ ንተቓውሞ ምስ ተላዕሉም፡ ደጊያት-ዓምደሃይማኖት እዩ ሰራዊት ኣኸቲቱ፡ እንጻር ሚካኤል ሰሑል ተላኢኹ።

"ተኸሉ ኣባል"፡ እቲ ዝንኣሰን-ጉብዝናኡ ዘይዓገበን ኮተት ካብ ደቂ ኣይተ-ካፍለት፡ ምስ እኖ-ሓጎኡ ተሰሊፉ ንትግራይ ሓለፈ። ብኸእለትን-ጅግንነትን ድማ እንጻር ሚካኤል-ሰሑል ተዋግአ። እቲ ኩናት ግን፡ ኣብ ዕላማኡ ኢይተዓወተን።

ዓምደሃይማኖት ምስ ተሳዕረ፡ ወድ-ጓሉ ጠሊምዎ ጉልበቱን-እገልግሎቱን ን ኣይተ-ሚካኤል ሰሑል ክወፊ ተቐላጠፈ። እዚ ድማ፡ ብሰናይ ተቐቢሉ ኣብቲ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተሳገረ ኣብ መዓርግ ራእሲ-ትግራይን/ ኣብቲ ባዕሉ ንባዕሉ ደረት ብዘይብሉ ስልጣን "ተማባቒ-ንግስነት" ተባሂሉ ክስመን ዘብጽሖ ወታሃደራዊ-ስርሒታት፡ ወትሩ ንተኸሉ ኣባል ኣብ ጐኑ እዩ ኣሰሊፍዎ።

ራእሲ-ሚካኤል ዕብየቱ ብዘረጋገጸ፡ ንኹሎም'ቶም ምሳኡ ዝወፈሩ፡ ግቡእ ካሕሳእም-ምያእም ፈለጠሎም።

ንተኸሉ ኣባል ኣገዳሲ መሳርሕቲ ኮይኑ ስለ እተረኽበ፡ ንዝኾነ ሕጊ/ ባህሊ/ ልምዲ/ ብዘቐይም እገባብን/ ብንዕቀት ናይቲ ብኣኽብሮት ክነውተር ዝጸንሐ እንዳዊ ምትእ-ስሳርን፡ ግዝኣት ምሉእ ማይ-ጸዕዳ ኣረከቦ። ምእንታኡ'ውን ብኹሉ ማይ-ጸዕዳ ኣብ ሓደ ጉልቲ ተጠርነፈ። ብዘይካ'ዚ ድማ፡ ዳርጋ ናይ መላእ-ሰራየ ምምሕዳርን/ ሓደ ዕስራት(1/10) ግብረ-መንግስቲ ንባዕሉ ክሰልዕን ተፈቕደሉ።

እዚ ንዝኾነ ናይ ማዕርነት ስምዒትን- ዘቢታዊ ልምድን ጥሒሱ እተበጽሐ መዓርግ ግን፡ ንመጻኢ እዋናት ኣሉታዊ-ኣብነት ድኣ ኮነ።

ዘርኢ ተኸሉ ኣባል፡ ገረመድህን ብእተባህለ ሓደ-ውላዱ ምስ ጠፍአ፡ *ኣይተ-ገረ-ማርያም/ኣይተ-ክፍለማርያም/*እተባህሉ ክልተ ደቂ-ሓው (ማለት ደቂ ገብረል-ኡልን/ገብረድንግልን ሓሓዲኦም) ኣብ ልዕል'ዚ ጽጉም ዓድ'ዚ ዕብለላን-መሪሕነትን ንምርግጋጽ፡ ንሓድሕዶም ብጭካነ ተሃላለኹ። ጽልኦም ዝበኣሰ ድማ ብድሕሪ ሞት ኣይተ-ክፍለማርያም፡ *ኣይተ-ካሕሱ* እተባህለ ሓው ኣብቲ ነገር ምስ ተተከአ እዩ።

ኣብ መጀመርያ እዋናት ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ክፍለ-ዘመን(19 ክ.ዘመን) መልደስላሰ ናይ "ትግራይ-ራእሲ" ተሰምዩ ንዓድዋ ብዝመጸ፡ እይተ-ገረማርያም ተቐላጢፉ ኢድ ክህቦእ ሓደ-ሸሕ ቅርሺ-ባጠራ ህያብ ሒዙ፡ ናብኡ ቀረበ። ብልሜ ናይዚ ድማ፡ እቲ ብልምዲ መስመር ቦኽር-ገዛ ብሕጊ ዝብጽሖ ጉልቲ ዓድ-ኺላን/ ግዝኣት መላእ ማይ-ጻዕዳ ብተወሳኺን ተፈቕደሉ።

እይተ-ካሕሱ እዚ ሰሚዑ፡ ተቐላጢፉ ንዓድ-ኺላ ኣተወ። ኣብዚ'ውን (ድሮ ገረማ-ርያም ካብ ዓድዋ ተመሊሱ ብምጽናሑ)ሓያለይ ሰባት ኣኸቲቱ፡ ህዝቢ ኣብ እተኣከበሉ ዕዳጋ ማይ-ላፎ ብርቱዕ ውግእ ከፊቱ ንገረማርያም ተዓወተሉ። ኣብቲ ኩናት ግና፡ ብክልቲኦም ወገን ብዙሓት ሰራዊት ተወጊኦም እንኪወድቁ፡ሓደ'ኳ ካብ መራሒ ናይ-'ቶም ክልተ-ስድራ ኣይተጉድእን።

ብድሕር'ዚ ቀጺሉ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ከብድ-ዓዲ፡ ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-ወገናት እንደገና ሓያል ውግእ ተኸፍተ። ኣብዚ ግን፡ ብሓደ 'ካብ ወታሃደራት ኣይተ-ተሰፉ (ወድ ኣይተ ገረማርያም) እተወርወረት ኩናት ተወጊኡ፡ ኣይተ-ካሕሱ ተቐትለ።

እቲ ሰዓቡ ዝመጸ ዘርእ'ዞም ተካላት ኣዝማድ፡ ሽዑ ኩሎ ኣብ ዝቐጸለ እዋናት፡ ኣላሽ ከይተባህለ ኣብ ጽልኡ ሰመረ።

ንሕና(ኢጣልያ) እውን ንሰራዊ ብዝኣተና፡ ብዘይብሊ ቅርሕንቲ ተመቒሎም ኣብቲ ተኸሊት እተባህለ ኣባሓጎኦም ዘጽናሓሎም ውርሻ ጉልቲ ዓድ-ኺላ ተሓናፊጾም ንረኽቦም።

እቲ ምትሕውዋስ እተመሓላለኸ ኩይኑ፡ ዳርጋ ፍርቂ ዓዲ ንዘርኢ ካሕሱ፡እቲ ካልኣይ-ፍርቂ ድማ ንዘርኢ ገረማርያም ይብጽሖም። መብዛሕትኡ ዓድታት ናይዚ ከባቢ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ድንጉር ኩነታት ይነብር።

እሉኽ ነገሮም ንምልዓል፡ ብዝኾነ ኢጋጣሚ ይጥቀሙ ምባል፡ ኢጋንና ኣይከውንን። ብጥንቃቐ፡ ዝኾነ ባህርያዊ መላዓሊ ነገር የናድዩ። ኣብ ዝሰኣን ድማ፡ ብ ጉርሒ/ ውዲት/ ናይ ተንኮል ክእለት፡ ኩነ ኢሎም ይምህዝዎ።

እዚ ጠባያት'ዚ ግና፡ ንዘርኢ-ተኸሊት ኣይኮነን ፍላይ ዝምልከት። ወለዶ ኣዝማች-ዑቕቢት ኩነ ኣይተ-ሰምረት፡ ከምኡ እዩ ዛንታኦም። ስለዚ እዩ ድማ እቲ ብእዋኑ ሰፊሕ ዝነበረ ጉልቲ ማይ-ጻዕዳ፡ ኣብ ዓሰርተ ንኡሳን-ጉልቲ ተኸፊሉ፡ እቲ ዝጸንሐ ናይ «ተወራረሰ ኣባታዊ-ሕጊ» በብቐሩብ እናሃሰሰ፡ ናብ "መስፍናዊ-ስርዓት" ገጹ ጠምዚዙ።

ጉይታ ሓደ-ጉልቲ ከበሃል ዝጸንሐ ሓደ-እንዳ፡ ኣብ መሬት-ዓድን ካልእ ጉልታት እውን ግዝኣተይ ክሰፍሕ ዝብል ቅዲ፡ ኣብዚ እዋናት'ዚ እዩ ተለሚዱ። መብዛሕትኡ ጊዜ ድማ እቲ «ይብጻሓኒ» ዝብል ጠለብ፡ ኣብ ዝነበረ ድኹም ዕብለላ ናይ ዝሓለፉ ኣባሓጎታት ወይ ጨንፈር ሓደ-እንዳ፡ ኣብ ልዕል'ቶም መንቀሊ ሞጉት ዝኾኑ መሬት ወይ ዓድታት እዩ ምርኩሳኡ ዝነበረ። ብዝኾነ ድማ፡ እቲ ዕብለላ ምስ ምዕዋት ፖሊቲካዊ-ወገኖም ዝመጸ ወይ ድማ፡ ኣብቲ ንሓደ ክፍለ-ዘመን ፈረቓን ዝኣክል ነዚ ሃገር'ዚ ዘናወጸ ፋሉላዊ እዋናት፡ ምስ ገለ ኩብለልቲ ብምትሕብባር ዘረጋገጽዎ ዋንነት እዩ ዝነበረ።

ከምዚ ዝኣመሰሉ ዝምባለ፡ ብዝነኣሰ ደረጃ ድኣ ይኹን'ምበር፡ ኣብቶም ካልኦት ክልተ ዓበይቲ ጉልቲ-ተኸላ/ መራጉዝ/ እውን ይረኣዩ ነይሮም እዮም።

ራእሲ-ሚካኤል ስሑል ንጉልቲ-ተኸላ ኣብ ክልተ ንኡሳን-ጉልቲ ማለት ሉዶፈላሲ-ዓድ ምንጎንቲ ኢሉ ምስ ከፈሎም እዩ ድማ እቲ ምምቕቓል ጀሚሩ። ሽዑ እዩ'ውን መራጉዝ ተበታቲኑ ብትእዛዝ እተጠቕሰ ራእሲ፡ "ጉንደት" ካብ መራጉዝ ተፈልዩ ኣብ ትሕቲ "ሕድሩ" ወይ ሕድራይ እተባህለ መራሒ ዝመሓደር፡ ካብ ፈቓዶኡ ኣብ ዓድ-ሓበሻ እተኣኻኸበ ኩብላሊ ጭፍራ-ሰራዊት ዝእከብ መደበር ይኹን ተባሂሉ።

እዚ ፍጻሜ'ዚ፡ ንጊዜኡ ወታሃደራዊ-ወራር መሲሉ እዩ ቀሪቡ። ቀጺሉ ግና ከምቲ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዘሎ ልምዲ፡ እንስትን-ህጻናትን/ ንስብኡትን-እቦታትን ምስ ሰዓቡ፡ ኣባይቲ ተሃንጹ'ሞ፡ ቁሸታት ተመስረቱ። ማሕረስ- ምፍራይ ከብትን- ምስ ተጀመረ ድማ ወዮ ወታሃደራዊ እተባህለ መደበር፡ ኣብ ናይ ሓቂ ግዝኣት ተለወጠ።

ከምዚ'ሉ ብድሕር ሞት ሕድሩ፣ "ዓቕላስ" እተባህለ ውላዱ መራሒ ምስ ኰነ፣ ኣብ ሞንጎ እቶም ሕጋውያን ወነንቲ መሬትን/ እቶም ዝመጹ ሓደስትን፣ ምስሕሓብ ተፈጥረ። ንጥንታውያን ወነንቲ-መሬት እዩ ግና ከፈእዎም። ከመይሲ፡እቲ እተሰራጨዉ መማዛእታዊ ማሕበረ-ኮም፣ እናሰፋሕፍሐ መጺኡ፣ ብዘመነ-ደጊያት ውቤ ድማ(1830-1855 ዓ.ም.)፣ ወዱ ን "ዓቕላስ" ካብ እንጋንኣ 150 ሰብ-ጠበንጃ ተላኢኹሉ፣ ነቶም ዝጸንሑ ጥንታውያን ሰብ-መሬት ፈጺሙ ኣባረሩ፣ ንመላእ ጉልቲ-ጉንደት ኣብ ትሕቶኦ መለኾ።

እዞም ንመረብ/ምላሽ "ባዕዳውያን" ዝበሃሉ ህዝብታት፣ ወትሩ ደገፍቲ ራእስታትን-ነጋውስን ዓድ-ሓበሻ እዮም ዝነበሩ። ካብኣቶም እዩ'ውን ሓገዝን- ይጠበቕልካን- ቀዳምነትን- ዝወሃቦም ዝነበረ።

ሃጸይ-ተድሮስ ነዚ ኣብ ጉልቲ-ጉንደት እተፈጥረ ሓድሽ ኩነታት፣ ተቐቢልዎን-ሕጋዊ ገበሮን። *ዮሃንስ* ድማ፣ ብ 1875 ዓ.ም. እቲ ምድሪ ብስርዓቱ ተኸፊሉ ከም ባህሉ ብኣገባብ ብማዕረ ክዋደቕ ምስ ፈቐደ፣ እቲ ጉዳይ ሀ ኢልካ ከም ሓድሽ እዩ ተበጊሱ።

ኣንጻር ወረዳ-ሰራየ ብጭካነ እተላዕለ ግና፡እቲ ብድሕር ራእሲ-እስባጋዲስ መንግስትነት ትግራይ ዝወረሰ "ደጊያት-ውቤ" እዩ።

ውቤ፣ ግዝኣቱ ብ «ነጀው-መረብ» ምስፋሕ ዝነበሮ ትምኒት ንምርዋይ፣ ነቲ ሓይሉ ደኺሙ ብመንፈስ እውን እተረሓሓቐ ሰራየ (እኹል ክበሃል ዝኽኣል ተቓውሞ ከይገጠሞ)፣ ተመላሊሱ ብምውራር፣ ኣብ ሓጺር እዋን ነዚ ብሉጽ ወረዳ፣ ምድረ-በዳ እዩ ለዊጥዎ። እቶም እተወረሩ ህዝብታት ኣብ ክቴር ድኽነት ብዝወደቑ፣ ናውቲ-ማሕረስ ጠንጢኖም ምስቶም ወረርቲ ሓቢሮም፣ ዝበኣሰ ናይ እከይ-መሳርሒ ኣብ ልዕል'ቲ ዝተረፈ ህዝቢ ኰይኖም ተረኽቡ።

ደጊያት-ውቤ፣ ኩሉ ኣብ ቅድመኡ ከምብርከኽን- ብስሙ ክርዕድን፣ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ እዩ ሓያል ተቓውሞ ገጢምዎ። እዚ ወረዳ'ዚ ብድሮ፣ ንሓይልን-ትዕቢትን ናይቲ ቅድሚ ውቤ ዝነበረ ገዛኢ መኪቱ ኣብ ዓድ-ኢዳ እተገብረ ሓያል ኩናት ተዓዊትሉ ብምጽናሑ፣ ዳግም እውን ኣብ ውቤ ከውዕሎ እዩ ተስፋኡ ዝነበረ። እዚ ልኡል ተስፋ ግና ኣብ ምዓላኡ ኣይወዓለን። ከምቲ ኣብ ካልእ-ክፍሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ እተጠቕሰ፣ እዚ ኩሳብ ሽዑ ነጻን-ሓራን ኰይኑ ዝጸንሐ ደሞክርስያዊ-ወረዳ እውን፣ ብውቤ ተመሊኹ እዩ። እቲ ነዚ ውጽኢት'ዚ ከረጋግጽ ዝኸኣለ ብሉጽ መሳርሒ ድማ፣ ወረዳ-ሰራየ ዘበርከተሉ ጭፍራ-ሰራዊት እዩ ዝነበረ።

ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ናይዚ ክልተ-ወረዳ፣ ኣብ ሕሉም ጽልኢ ዘይሰገረን/ ዝመጸ ስልማን ኰነ- ስርዓት ዘየሕወዮን(ዘይዳነዮ)፣ ብዘመታ ከብትን- ያዕያዕን.....ወ.ዘ.ተ. እተላዕለ፣ ካብ ድሮ ዝመጸ ምፍሕፋሕ ጸኒሑ እዩ። በዚ ተጠቒሙ እዩ ድማ ደጊያት-ውቤ፣ ስምዒታት ናይዞም ሓደስቲ ተሓባበርቱ ደቅ-ሰራየ ኣረሳሲኑ፣ ከምቲ ኣብ ዝኹነ ውግእ ሓድ-ሕድ ዝዝውተር ትዕቢትን-ጭካነን ብዝኣክል ምስ ኣሰነቐ፣ ንውድቀት ኣከለ-ጉዛይ ከቀላጥፍ ክኢሉ።

እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ እናተደኸመ ዝመጽእ ዘሎ ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-ወረዳ ዝጸንሐ ሕሉም ጽልኢ፣ ካብዚ እከይ ተግባራት'ዚ እዩ መበገሲኡ። ብተወሳኺ፣ ክሳብ'ዚ ንሕና(ኢጣልያ) ዘለናሉ ወቕቲ፣ ነገሮም ተኣጕዱ ክጸንሕ ዝደገፈ ረቛሒ፣ ዋንነት ናይቲ ከም *ሰለስተ ደቅ-ድራር* (ወይ ከም ዞብኣዊ ኣጸዋውዓ- ተድረር/ ተደረር/ ተድራር) ዝበሃል መሬት ንዝምልከት እዩ።

እዚ ብጸጋማይ ደረት ፈለግ-መረብ ዝርከብ ጉልቲ፣ ምጕት ብዘየድልዮ ኣብ መሬት ኣከለ ጉዛይ እዩ ዝርከብ። ክሳብ ሽዑ ድማ፣ ወኒንዎ እዩ ጸኒሑ። ኰይኑ ግና፣ ደጊያት-ውቤ እዩ ንዝተፈላለዩ ጉልታት-ሰራየ ዓዲልዎ። እቲ ምክፍፋል ንባዕሉ፣ ዘይተመዛዘነ እዩ ዝነበረ። ከመይሲ፣ እቲ ዝዓበየን-ዝበለጸን ወገናቱ (ምስቲ ሓድሽ-ዓዲ እተባህለ ዝዓበየ ክፍሉ)፣ ንማይ-ጻዕዳ እዩ ተዋሂብዎ።

ንደጊያት-ውቤ ድማ፣ ካብ ማይ-ጻዕዳ እዩ ዝዓበየ ሓገዝ ተወፍዩሉ ዝነበረ።

ነዚ ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-ወረዳ መጸልኢ ኲይኑ ዝጸንሐ መሬት፣ ሃጸይ-ተድሮስ ናብ ኣከለ-ጉዛይ መሊስዎ ክብቅዕ፣ "ራእሲ-ኣሉላ" እንደገና ንሰራየ ኣረከቦ። በዚ'ውን እቲ ሕነ- ምትህንኺትን፣ ናብ ዝኸፍአ መልክዑ ሰገረ።

ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-ወረዳ ካብ ዝጸንሑ ናይ ነዊሕ ምስሕሓብ፣ እቲ ብ 1859-ዓ.ም. ኣብ «ኣናበታ» እተባህለ ቦታ እተገብረ ደማዊ ናይ ብረት-ግጥም፣ "ሙዚንገር" ብከምዚ ይዝክሮ፥

«.....ጸላኢ፣ ብዙሕ ናይ ሓዊ-ብረት/ 12 ሽሕ ዝግመቱ ሰባትን ኣሰሊፉ፣ ንሰራየ ገጹ ኣተወ። ህዝቢ ማይ-ጻዕዳ፣ 8 ሽሕ ሰብን-ብርቱዕ ናይ ፈረሰኛ ማእከል-ሰራዊትን ኣሰሊፉ፣ በይኑ እዩ ጸኒሕዎም። ኣብቲ ኩናት ድማ፣ ማይ-ጻዕዳ ተጠቒዑ 400 ሰባት ዝኣኽሉ ክሞትዎምን- ብዙሓት ቁሸት እንኪንዱን፣ ካብቲ ዝሰዓረ ወገን'ውን 800 ሬሳ ኣብ ዓውደ-ውግእ ወዲቖም።....»።

ብዘመን መግዛእቲ ደጊያት-ውቤ፣ ኣብ ሰራየ ካልኦት ኣገደስቲ ለውጥታት'ውን ተራእዮም እዮም።

ኣመሓዳሪ ናይቲ ምሉእ-ወረዳ ተባሂሉ፣ ሓደ ትግራዋይ ወታሃደራዊ-መራሒ(ሹም-ነጋሪት) ሓያል ጭፍራ ኣኺቲሉ፣ ኣብ ከባቢ «ደብሪ እንዳ'ባ መጣዕ» ዓስከረ። ኣቐዲሙ ከም እተጠቕሰ ድማ፣ 150 ካብ ሕጊ-ገጻት ዝመጹ ሰብ-ጠበንጃ ዝሓዘ ጭፍራ ምስ ስድራ-ቤቱ፣ነቲ ድሮ ካብ ዘመነ ራእሲ-ሚካኤል ኣትሒዙ ኣብ ጉንደት ተሰራጭዩ ዝጸንሐ «ወታሃደራዊ ግዝኣት» ንምድልዳል ተላኢኹ እዩ ጸኒሑ። ብኣንጻር'ዚ ግና፣ ኣብ ጥንታውያን ጉልታት-ሰራየ ዝጸንሐ ምምቕቓል፣ ከምኡይሉ ድእ ቀጸለ። ንኣብነት መራጉዝ ክጥቀስ ይከኣል። እዚ ጉልት'ዚ፣ መላእ ጉልቲ-ጉንደት ተሰሊዕዎ ክብቅዕ፣ እንደገና ኣብቶም ሉም'ውን ህልዋት ዝኾኑ ጉልቲ-ያቆብ/ ጉልቲ-ኣከሉም ዝበሃሉ ተኸፍለ።

ውቤ ተሳዒሩ ምስ ተቐትለ እዩ ቅሩብ ሰላም ክርክብ ተኻኢሉ። ኣብዚ ብዙሕ ዘጥፍአ ወረዳ-ሰራየ፣ ካብ እተፈላለየ ቦታ (ካብ ትግራይ እውን ከይተረፈ) ህዝቢ ውሒዙ፣ ዝሕረስ መሬት ሓቲቱን- ተዋሂቡን። እቲ ዋሕዚ ስደት ብብዝሒ፣ ናብቲ ግዳይ ሕሉፍ ታሪኹ ዝኾነን/ዝያዳ እተሃሰየን/ህዝቡ'ውን ዝኸሰረን/መሬት ማይ-ጻዕዳ እዩ ውሒዙ።

እተረኽበ ሰላም ግን፣ ውሑድ ጊዜ እዩ ጸኒሑ። ምኽንያቱ ድማ፣ ሃጸይ-ተድሮስ ኣብ ስልጣን ብዝመጸ፣ «ንጉስ» እተባህለ ወድ-ሓው ንውቤ፣ ንተቓውሞ ንግስነት-ተድሮስ ኣብ ትግራይ ተላዕለ።

ብ 1856 ዓ.ም. ንጉስ ሰራዊቱ ኣኽቲቱ ንመረብ/ምላሽ ኣትዩ ምስ ወረሮ፣ ንደጊያት-ሃይሉ ስዒሩ(ደጊያት-ሃይሉ፣ ኣብ ህዝብታት ማርያ ክዕቆብ ተገዲዱ)፣ ንደጊ-ያት-መርእድ በዓል ሃዘጋ እዩ መራሒ-ሓማሴን ሸይምዎ። ደጊያት-መርእድ፣ ነቲ ስዒቡ ራእሲ ተሰምዩ ብዙሕ ዝና ዘትረፈ «ወልደሚካኤል(ወለንኪኤል)»፣ ሓው ምኳኑ እዩ።

ንጉስ እውን ከምቶም ብቕድመኡ ዝሓለፉ ማእሪሩን ደቅ-ትግራይ፣ ንደቃ-ወረሰናዝጊ ኣብ ትሕተኡ መሊኹ፣ ባዕሉ ብዝሸሞም ሹም-ነጋሪት ገይሩ ኣመሓደሮ።

ንጉስ ከመይሉ ብሻዓ ኣብ ስልጣን ከም ዝመጸን፣ መንግስቲ-ፈረንሳ ድማ ክድግፎ ዝነበሮ ተስፋን፣ እተፈልጠ ምስጢር እዩ። ነዚ ንምጽባይ እዩ ድማ ንሱን ሰዓብቱን ኣብ ጥቓ ገማግም-ባሕሪ ምጽናሕ፣ ንመረብ/ምላሽ ሓሊፎም። ብልክዑ'ውን፣ ኣብ ከባቢ «እንዳ'ባ መጣዕ» እዮም ዓሪዶም። እቲ ዘስከሕ ናይ ኩናት ኩነታትን፣ ንዓኡን ሰራዊቱን ምቕላብ፣ ንሰራየ ዘኸተሎ ክሳራ ክሳብ ክንደይ ምኻኑ፣ ብቐሊሉ ዝግመት እዩ።

ሃጸይ-ተድሮስ ብዝሞተ፣ ስልጣን ንምውራስ፣ ኣብ ሞንጎ ዮሃንስ/ናይ ዋግ-ሹም ጉበዜን ዝነበረ ቃልሲ፣ ደጊያት-ሃይሉ በዓል ጸዓዘጋ ንሰራየ ኣኺቲሉ፣ ራእሲ-ወለንኪኤል በዓል ሃዘጋ ድማ ንኣከለ ጉዛይ፣ ህርኩት ተሳታፍንት እዮ ዝነበሮም።

ኣብቲ ብዓወት ሃጸይ-ዮሃንስ እተዛዘመ ነዊሕ ውድድር፣ እዞም ክልተ-ዓውዲ ወትሩ ኣብ ተጻራሪ ወገን'ኳ እንተጸንሑ፣ ብቐሊሉ እዮም ከከም ኩነታቱ ካብ ሓደ ሰልፊ ናብቲ-

ሓደ ዝለዋወጡ ነይሮም። በዚ ምዕልባጥ'ዚ ምስ ደኸመ እዩ'ውን ሃጸይ-ዮሃንስ፡ በብ-ወገኖም ክኸፋፍሉም መዲቡ።

ወለንኪኤል እዩ ግን ኣብቲ ኣንጻር ብ «ኮሎኔል-ኣረንድሩፕ» እተመርሑ ግብጻውያን ኣብ "ጉዳ-ጉዲ" ዝወዓለ ኩናት (1875 ዓ.ም.) ብትብዓት ተዋጊኡ ፍቶት ናይቲ ንጉስ ክኸስብ ክኢሉ። እቲ ሃጸይ'ውን ነዚ ምኽሓስ፡ "ደጊያት" ኢሉ ሸይሙ ግዝኣት ሓማሴን ክሳብ «ምኽዓው ቆሎ» ኣወፈየሉ። ብዘይካ'ዚ'ውን፡ ሰሜናዊ-ዶባት ኢትዮጵያ ናይ ምክልኻል መዝነትን/ ነቶም ዓመት ብቕድመኡ ብግብጺ ተወሪሮም ዝጸንሑ ህዝቢ-ቦጎስ ናይ ምምላስ ሓላፍነትን ተዋህቦ።

ምናልባት ዮሃንስ ንወለንኪኤል ሓላፊ ሓማሴን ኢሉ ምስማዩ፡ ኑቲ ዝበኣሰ ኣንጻር ግብጺ ይዳለወሉ ዝነበረ ኩናት ምቅርራብ፡ ምቹእ-ባይታ ንምፍጣር ዝሓለኖ መደብ እዩ ዝነበረ። ብሓቂ ድማ፡ ዮሃንስ ንናይ ዋግ-ሹም ጉበዜ ምስ ተዓወተሉ፡ ንመኳንንቲ ደቀ'ባት ሓማሴን ኣሲሩ፡ ነዚ ወረዳ'ዚ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ናይቶም ንሱ ዝመረጾም ሹም-ነጋሪት ቆሪኑ፡ ኣደዳ ውርደት-ሓሳርን ገይርዎ ከም ዝጸንሐ ኣይዘንግዖን።

ምትእምማን ስለ ዘይነበሮን፡ እቲ ናይ ነጻነት-መንፈስ መረብ/ምላሽ ከይግንፍሎ ፈሪሑ ግን፡ ንስራዩ እዚ ልማስ'ዚ ኣይተገብረሉን። ዋላ'ውን ብውሽማዊ ምስሕሓብ ተዋጢሩ ኣብ ዝነበረሉ። ነዚ ምትእምማን ዘየሕደረሉ ወረዳ፡ብራዕዲ ምዕቃቡን/ ሓለዋ መስመር-መረብ ንምርግጋጽን/ ኣብ ስራዩ እቲ ናይ ትግራይ ወታሃደራዊ-መግዛእቲ ከምኡይሉ እዩ ቀጺሉ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን፡ሓደ ካብቶም መራሕቲ-ወታሃደራቱ፡ ምስቶም ደቀ'ባት ሓቢሩ ነጻነቱ ከይእውጅ ብምፍራሕ(ከምቲ ልሙድ ናይ ዓድ-ሓበሻ ባህሊ) ንሓድ-ሕዶም ክተሓላለው ንማለት፡ ሰለስተ «ሹም-ነጋሪት» መሪጹ ከመሓድሮ ወሰነ። በዚ'ውን እቲ ወረዳ ብኽሳራ ተዋሪዱ እዩ።

ዮሃንስ ግን፡ ከምቲ ዝሓሰቦ ኣይኮነሉን። ምኽንያቱ ድማ፡ ወለንኪኤል ንሃገሩ ብዝ-ተመልሰ፡ ምስ ግብጺ ዝምድና-ምቅርራብ መረጸ። እዚኣም'ውን ግዝኣት ምሉእ መረብ/ምላሽ ክኣምንሉ ተመባጺዮም፡ ንኒዜኡ "ራእሲ" ኢሎም ሰይሞም ወርቂ-ኣኽሊል ህያብ ኣበርኪትሉ።

ህዝቢ መረብ/ምላሽ ብወገኑ፡ ከይዘንግዐ ሻዓ'ይሉ ሰዓቦ። ኣብ«ጉራዕ» ኣንጻር ሃጸይ-ዮሃንስ፡ ምሳኡ ተሰሊፉ'ውን መከተ። ግብጻውያን ተሳዒሮም ምውጻኦም ብዘየገድስ ድማ፡ እቲ ህዝቢ ምስ ወለንኪኤል ሓቢሩ፡ ኣብቲ ነዊሕን-ዕርፍቲ ዘይነበሮን ናይ ድባይ-ኩናት፡ ኣንጻር ሰራዊት-ንጉስ ተቓለሰ።

ኣብዚ እዋናት'ዚ እዩ'ውን ሃጸይ-ዮሃንስ፡ ተጻራሪ-ወለንኪኤል ንዝነበረ ደጊያት-ሃይሉ ካብ ማእሰርቲ ለቒቑ፡ ኣንጻሩ ዘሰለፎ። ወለንኪኤል ግን፡ ኣብቲ ኣብ ከባቢ-ወኪድባ ብ 1877 ዓ.ም. እተኻየደ ደማዊ ኩናት ሰዓሮ'ሞ፡ ደጊያት-ሃይሉ ኣብኡ ህይወቱ ጠፍአ።

ኣብቲ ስዒቡ ዝመጸ ዓመት፡ ሃጸይ-ዮሃንስ ነዚ ጸገም'ዚ ንምፍታሕ፡ እቲ ተባዕ-ተኣማንን «ባርያው በዓል በዐሳ (ራእሲ-ትግራይ)» ዝመርሖ ዓሰርተ-ሽሕ ዝኣባላቱ ሰራዊት ኣኸቲቱ፡ ኣንጻር ወለንኪኤል ለኣኾ። ባርያው እውን ተሳዒሩ፡ ኣብቲ ብ መጋቢት 1878 ዓ.ም. ኣብ ኣስምራ እተገብረ ኩናት፡ ንሱ'ውን ኣብ ዓውደ-ውግእ ወደቐ።

እቲ ሃጸይ ብድሕሪ'ዚ፡ ምስ ግብጻውያን ውዕላት ምኽያድ መረጸ ንወለንኪኤል ምስ ዘረኽብዎ፡ መሬት-ሓማሴን ከወፍየሎም ተመባጽዐ።

ራእሲ-ወለንኪኤል ግን ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ እዚ ውዲት'ዚ ተረዲኡ፡ ምስቲ ንጉስ ውዕል-ሰላም መረጸ። ኣብዚ'ውን ብክሕደት ተማሪኹ ኣብ ሓደ-እምባ ምስ ተኣስረ፡ መላእ መረብ/ምላሽ መራሒ ስኢኑ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ናይቲ ሃጸይ እተወ። ኣመሓዳሪ ናይዚ ወታሃደራዊ-ግዝኣት ተባሂሉ ድማ ራእሲ-ኣሉላ ተላእከ።

እዚ ኩነታት'ዚ፡ክሳብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰ 1889 ዓ.ም. ሰራዊት-ኢጣልያ ንከበሳ ዝኣተወሉ፡ ን ዓሰርተ-ዓመት ዝኣክል፡ ከምኡይሉ እዩ ጸኒሑ።

ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ-ትግራይ ንሰራዩ ዝሳቐዩ ፍጻሜታት፡ ማእሊያ ዘይርከቦም'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ቀዳማይ ዝስራዕ፡ እቲ ብመሰረት ኣዋጅ ንጉስ-ዮሃንስ ካብ ሉም-

ንጽባሕ ኣብ ማዝኣቱ፡ ዝርከቡ ህዝብታት፣ ሰዓብቲ ናይቲ እተፈንጨለ ሃይማኖት-ተዋህዶ ክኾኑ ዘገድድ ትእዛዝ እዩ ዝነበረ። ሳዕቤን ናይዚ ኣዋጅ፡ ብዙሓት ብስራሕ- ቅንዕናን ዝፍለጡ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ጀበርቲ ሰራዩ፣ ስደት ስለ ዝመረጹ፡ እቲ ወረዳ ደኺሙን- ህዝቡ ውሒዱን እዩ።

****

እዞም ብሓፈሻኡ ጠቒስናዮም ዘለና ኣብ ሰራዩ እተኻየዱ ፍጻሜታት፣ ሓደ/ሳዕቤን እቲ-ሓደ ዝኾኑ ክልተ ናይ ኣሉታ-ኣሰራት ኣኸቲሎም፥

እቲ ቀዳማይ፡ ዋሕዲ-ህዝቢ ክኸውን እንከሎ/ እቲ ካልኣይ ድማ፡ እቶም ሹም-ጉልቲ፣ መስፍናውያን-ጉይቶት ናይ ምኽን ዘሕደርዎ ዝምባለ- ኣገባብን፡ ምትእትታው እዩ።

በቲ ኣብ ሞንጎ እንዳታቶም እተተኸለ ቃልሲታት፡ ካብ ባህልን/ ኣባታዊ-ስርዓት ርሒቖም፣ ሰልጣን ኣብ ክንዲ ነቲ ብሕጊ-እንዳ'ባ ዝብጽሖ በዓል-መሰል፡ ነቶም ብሓይሊ/ ጉርሒ/ ዕድል/ ዘረጋገጽዎ ሰብ-ዕለት ኣሚን ኢልካ ምቕባል ተለምደ። ስለዚ'ውን፡ እቲ ቅድም ብዝምድናዊ-ምትእስሳር/ ሓርነት/ ንጥቕሚ-ኩሉን/ ቅቡል ዝበሃል ዝነበረ ምምሕዳር፡ ከም ብሕታዊ-ዋንነት ክዋፈር ጀመረ።

እዚ ኣገባብ'ዚ ስሩ ዝተኸለ፡ ኣብቲ ውሑድ ናይ ሰላም-ጊዜ፡ ካብ ግዳም ዝመጹ ስደ-ተኛ መሬት ብዝሓተቱ፡ እቲ ኣከፋፍላ ኣብ ክንዲ ብመሰል-ንሓረ ሰባት ዝኸውን፡ ከም ድላይካ ክትጥቀመሉም ንዝፈቕዱ ኣገልገልቲ እዩ ዝዕደል ዝነበረ።

ንሕና(ኢጣልያ) ክበሳ ኣብ ዝኣተናሉ፡ ኣብ ሰራዩ ዝጸንሐ ማሕበረ-ፖሊቲካዊ ስርዓት፣ ከም'ዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ፥

1)- እቶም ሰለስተ ጥንታውያን ዓበይቲ ጉልታት፡ ኣብ ብዙሓት ንኡሳን-ጉልቲ ተኸ-ፊሎም፣ እቲ ምምቕቓል፡ ንደቡብ ገጽካ ጥቓ መረብ ምስ ትቐርብ፡ ዝያዳ ይብርክት።

2)- ኑቶም ካብ ጥንታዊ ጉልቲ-ተኸሳ ብዘመነ ራእሲ-ሚካኤል፡ ጉልቲ-ኩዶፈላሲ/ ጉልቲ-ዓድ ምንጎንጊ/ ተባሂሎም እተኸፍሉ ክልተ-ጉልቲ፣ ደጊም ኣርባዕተ-ጉልቲ ተደረብዎም። እዚኦም ድማ፥ ደቃ-ቅንጹብ/ ዓድ'ድከመ/ ገብረ-መራዲት/ ዖና መናዕ'ላ/ ይበሃሉ።

እዚኣቶም፡ ካብቶም ቀዳሞት እተጠቕሱ ክልተ-ጉልቲ ንእስ ዝበሉ ኮይኖም፡ እቲ ጉልቲ ዝብል መጸዋዕታ፡ ካብቶም ኣብ መሬቶም ዝርከቡ ኣርባዓን-ኣርባዕተን ዓድታት ዝመጸ እዩ። እዞም ሽድሽተ ጉልቲ-ተኸላ ንሓድሕዶም ስለ ዘይራኸቡ፡ በብወገኖም እዮም ግብረ መሬት ዝኸፍሉ።

3)- መራጉዝ፡ ስፍሓቶምን-ቁጠባዊ ትሕዝቶኦምን እተደላደለ፡ ያቆብ/ ኣከሎም/ ኣብ ዝበሃሉ ክልተ-ጉልቲ ይኽፈል።

3000 ቅርሺ-ባጠራ ግብሪ ክኸፍሉ ስለ ዝግደዱ፡ ኣቢሉ-ኣቢሉ ኣብ ሞንጎኦም ምትእስሳር ኣይሰኣንን እዩ። እተጠቕሰ ጠቕላሊ ግብረ-መሬት፡ ቀደም መሬት ጉንደት ከይተሰልዐ፡ እቲ ጥንታዊ-ጉልቲ ዝኸፍሎ ዝነበረ ግብሪ እዩ ዘመልክት። ጉንደት ካብኡ ምስ ተፈለየ እውን፡ መራጉዝ ዝኸፍሎ ግብረ-መሬት ከምኡይሉ ኣይለወጠን። ሃጸይ-ተድሮስ ንጉንደት ፍሉይ ጉልቲ ኢሉ ምስ ነጸሎ ድማ፡ጉንደት ንባዕሉ 600 ቅ.ባጠራ እዩ ክግብር ጸኒሑ።

4)- ማይ-ጻዕዳ፡ ኣብ ዓሰርተ ንሓድሕዶም እተወታተፉ ጉልታት ይኽፈል። ኣብዚ ዝርከቡ ዓድታት ድማ፡ ኣባላት ናይ ክልተ ወይ ሰለስተ እተፈላለዩ ጉልታት'ውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ማይ-ጻዕዳ ካብ ምድሩ ወጺኢ፡ ንእብነት ከም ኣብ ተኸላ/መራጉዝ መሬት-ዓድታትን እውን ይውንን እዩ።

ኣብ ምሕንጻጽ ዶባቱን- ዝሰፍርዎ ህዝብን ዘሎ ሕልኽልኽ ንባዕሉ፡ እዚ ምድር'ዚ ክንደይ ቃልስን- ውሽጣዊ ምስሕሓብን ከም ዘሕለፈ የረድእ።

ንጉልታት ማይ-ጻዕዳ ኣሲሩ ክሕዞም ዝኸኣለ ሓደ ረቒሒ፡ እቲ 3000 ቅ. ባጤራ ግብረ-ንጉስ ናይ ምኽፋል ዝነበሮም ግዴታ እዩ። እዚ ግብር'ዚ፡ ንመላእ'ቲ ምድሪ ስለ ዝምልከት፡ ክፍሊቱ ኣብ ኣኽባ መራሕቲ እዩ ዝውሰን። እዚ ጉዳይ'ዚ ንባዕሉ፡ መንቀሊ ሓደስቲ ጠንቅታት እዩ ዝኸውን ዝነበረ።

እቶም ዝያዳ ኣኽብሮት ዝወሃቦም ጉልታት እንዳ'ዝማች ዑቕቢት/ዓድ-ኺላን ንበይ-ኖም፡ ዳርጋ ፍርቂ ናይቲ መላእ ምድሪ ይመልኡ። ኣብዚ ምድርታቶም ፍሉይ ዕብለላ ንምብሓት ግና፡ እዞም ክልተ-ጉልቲ እውን፡ መዋዳድርቲ እዮም።

5)- መብዛሕትኦም ኣብ ሰራየ ዝርከቡ ዓድታት፡ ሰብ ዘይነብሮም እተለቐቑ እዮም። ዝርካቦም ድማ፡ ውሑድ እዩ ፍቕዲ ህዝቦም።

ኣብ ጥንቲ እዚ ወረዳ'ዚ 300 ፍርያምን- ጽዑቕ ህዝቢ ዝነብሮምን ዓድታት ከም ዝነበርዎ ይፍለጥ። ሎም ግን መላእ ህዝቢ-ሰራየ ካብ 1500 ክሳብ 1600 ኣቢሎም ዝግመቱ "እንዳ" እዩ ፍቕዱ። ስለ'ዚ ቍጽሪ ናይ ዝቕመጥዎ ህዝቢ ምስቲ ስፍሓት-መሬቱ እንተድእ ተመቒሉ፡ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ካብ 5 ክሳብ 6 "እንዳ" ዘይበዝሑ ይነብርዎ ማለት እዩ። በቲ ዝተሓተ ግምት ከም ዝእመን ግና፡ ኣብቲ ራህዋ ዝነበረሉ እዋናት፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ካብ 150 ዘይውሕዱ "እንዳታት" ከም ዝነበሩ ይግምገም።

6)- ዝወሓደ ህዝቢ ዝርከቦ ጉልቲ፡ ጉልቲ-ጉንደት እዩ። ነፍስ-ወከፍ ዓዲ፡ 3 እንዳ ይነብርዎ። እቲ ዝያዳ እተሃዘበ ጉልቲ ድማ፡ ማይ-ጻዕዳ እዩ። ኣብ ሓደ-ዓዲ፡ ክሳብ 11 "እንዳ" እውን ይፍቀድዎ።

7)- ኣብ ጉልታት እንዳ'ዝማች ዑቕቢት- ዓድ ኺላን ዝነብሩ ህዝቢ መብዛሕትኦም፡ ማእሪራን ወይ ኣብዚ ቀረባ እዋናት እተሰራጩ እንዳታት እዮም። ስለ'ዚ እውን መብዛሕትኡ እቲ ህዝቢ፡ እተፈለየ መበቆልን-ኣመጻጽኣን ዘለዎ እዩ። ካብቲ ጥንታዊ ነዚ ጉልት'ዚ ዝመስረተ ነገድ፡ 9 ወይ 10 ዝኾኑ "እንዳታት" እዮም ዝርከቡ።

8)- ብዘይካ'ቲ ድሮ እተገልጸ መበቆል ሹም-ጉልቲ ጉንደት፡ ኩሎም'ቶም ዝተረፉ ሹም-ጉልታት፡ ኣባላት ናይቲ ብጥንቲ ንሰራየ ዝሃዘበ ነገድ ወይ'ውን ወረሮም ምስቲ ኣብኡ ዝጸንሐ ህዝቢ ፈጺሞም እተወሃሃዱ ህዝብታት እዮም።

እዚ ወረዳ ዘሕለፎ ኩናት/ ወራራት/ ብደዐ/ ትምክሕቲ/ ኣብ ግምት ምስ ዝኣቱ፡ እዚ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ክውንነት፡ ዓቢ ግምት ክወሃቦ ዝግባእ ክብሪ እዩ።

9)- እቲ ብስም "እንዳ-ስላሴ" እውን ዝፍለጥ ጉልቲ-ዳምባ፡ ግባር *ደብረ-መንቀርዮስ* እዩ ዝነበረ።

10)- ጉልቲ-ዓድልገስ፡ ብውርሻ ዝሰየም ሹም ኣይነበሮን። ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ንጉስ ስለ ዝጸንሐ፡ ናብኡ እዩ ግብረ-መሬቱ ዘመሓላልፍ።

11)- ኣብ ሞንጎ ሰራየን- ጉልቲ ደምበላስ ታሕታይ (ደቃ-ተስፋ)፡ ብዛዕባ ጉልቲ-ዳምባ ወይ እንዳ-ስላሴ፡ ክፉት ሞጒት ኣሎ። ደምበላስ-ታሕታይ ግን፡ ነዚ ይግባእኒ ዝብሎ ዋንናት፡ መሰረታውያን-ጭብጥታት ከቕርበሉ ኣይክእልን።

12)- ብዙሓት ጉልቲ-ሰራየ፡ ኣብ ምድርታት ተድረር/ መረታ/ ዝርከቡ መሬት-ዓድታትን ይውንኑ። እዚ ብህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ ከም ሲቓይ-ጽያፍን ዝረአ ዋንነት፡ ብዘመነ ደጊያት-ውቤ ምስ ጀመረ፡ ሃጸይ-ተድሮስ ኣስዒቡ ናብ ዋናታቱ መሊስዎ ዝነበረ እዩ። የሃንስ-ኣሉላን እዮም እንደገና ንሰራየ ኣረኪቦምዎ። እቲ ዝበለጸን-ዝዓበየን ክፍለ ወገን ናይዚ ክባብ'ዚ(ተድረር-መረታ)፡ ማይ-ጻዕዳ ይውንኖ።

13)- ኩሎም ህዝብታት ስረዩ፡ ተኸፊሎም-ብእንጻርነት ይነብሩ። ናይ ሓባር-ስልጣን ብዘይምህላው ድማ፡ ኩሉ ነቲ ጥንታዊ " ኮንፌደራስዮን " ክመሓድር ዝጸንሐ ዝምድና'ውን፡ ተበቲኹ እዩ።

ስለዚ'ውን ኣብ ህይወት መረብ/ምላሽ ክዘውትር ዝኽእል ጽልዋታት ድኹም ኰይኑ፡ ክከም ዕድሉ፡ ምስቲ ዝሓየለ ወገን ክሰለፍ ይግደድ።

****

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ተኸላ	ኩዶፈላሲ	1)-ኩዶፈላሲ/2)-ተራእምኒ/3)-(**)ዓድ-ደቅ-ሰዖ-ምቲ/4)-ግና-ባዕለ/5)-(**)ግዛ-ደቦ/6)-(**)ዓድ ገደላ/7)-ዓደቅያኖ/8)-ሓጐማ/ 9)-ዓድ-ሹም-ዓንዲ/ 10)-ዓድ-ጉልቲ/11)-ዓድ-ሃብጸናቕ/12)-ዓድ-ቀሺ/ 13)-ዓድ ብግዲ/ 14)-(**)ዓድ ቅንጹብ/
	ጉልቲ ናይ ኣርባዓን ኣርባዕተን ዓዲ።	15)-(*)ዓድ ደቂ ማነት/ 16)-(**)ማርያም መድሓኒት/ 17)-(**)ዓቢዓዲ 18)-(**)እንዳ'ባ-ዕሸ/19)-(**)ዓድቖዶ/20)-(**)ዓድ ጸና/ 21)-(**)ዓድ-ኮሬዶ/ 22)-(**)ዓድ ዓዳ/ 23)-(**)ዓድ'ሰከሕ/ 24)(**)ጥረ-መኸረም/25)-(**)ኣረጊት-መኸረም/ 26)-(**)ጸበላ/27)-(**)ዓድ-ላቕማ/28)-(**)እንዳ-ሚካኤል/29)-(**)ዓድ-በላይ/30 (**)ዓደ'ከሉም/31)-ማይ-ምጭንጋዓት/32)-(*)-ዓድ ዓቐይሉ/33)-ማይ ሻኽ/34)-ግዛ-ነጻ/35)-ዓድ ጸባ/36)-እንዳ'ባ-ዓብዱ/37)-ታሕተዋይ-ዓድ-ጽናሕ/ 38)-ጠርዐ/39)-(**)ምልፋዕ-ልብሶ/40)-(**)-ክብታ/41)-(*)ክሳውድቲ/ 42)-(*)ቁሸት/ 43)-እንዳ'ባ ብሩኽ/ 44)-ግዛ ጎሹ። እዚ ጉልት'ዚ ካብ መሬቱ ወጻኢ፣ ክም ውጽኢት-ሳዕቤን ናይቶም ድሮ እተጠቕሱ ቃልሲ-ውግኣትን፣ ብርግጽ ንእተወሰነ ጊዜ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ዝነበሩን/ ይብጽሑኒ ኢሉ ዝምጉቶም ዓድታትን፥ -ዓድ ጋርፉ ኣብ መራጉዝ - -ደብሪ ኣብ ቀሓይን - -ጦርዓት ኣብ መረታ - -ኣሳንጐ/ ፍጫኽ/ ቀይሕ-ዓዲ/ ኣብ ተድረር እዮም። እንዳ'ባ ብሩኽ፣ ገዳም-መነኮሳት እዩ። እቲ መሬት ክም ሓቂ ኣብ ማይ-ጸዕዳ እዩ ዘሎ። እቲ ገዳም ግን፣ ኣብ ትሕቲ ጉልቲ-ኩዶፈላሲ እዩ ዝነበረ። ዓድ-ጉልቲ/ ዓድ ጽናሕ/ ክሳውድቲ/ እንዳ'ባ ዓብዱ/ ዓድ ጸባ/ ቁሸት/ ዓድ ብግዲ- ኣብ ቆላ ዝርከቡ፣ ኣዝዮም እተሃጠ ዓድታት እዮም ዝነበሩ።
	ዓድ ሞንጎንጊ ወይ ማይ ኣታኽልቲ	1)-ዓድ-ሞንጎንጊ/2)-(**)ዓድ-ኣብርሃም/3)-(**)ዓድ-ጕላ/4)-ታኺታ/5)-(**)ዓድ-ሹም-ሀብ-ቱይ/6)-(**)ዓድ-ኢጋራይ/ 7)-ዓድ-ኣሳብሕ/ 8)-(**)ጐማር/9)-(**)ዓድ-ጋቡል/10)-ኣይቃበጹ/ 11)-(**)ዓድ-ጸንፋ/12)-(**)ዓድ-ኢታይ/ 13)-ዓቢ ዓዲ/ 14)-(**)ኣባ'ሕጎ/
	ጉልቲ ናይ ኣርባዓን ኣርባዕተን ዓዲ	15)-(**)ዓድ ግራት/ 16)-ምውቕ ዝባን/ 17)-ዓድ ሓበሻ/ 18)-(**)ዓድ በላድ/ 19)-(**)ዓድ ጋሃድ/ 20)-(**)ዝባን ያና/ 21)-ዓድ ወግሪ/፣ ዓድ-ወግሪ፣ እተለቐቐ ዓዲ እዩ። ኣብ ዘታኡ፣ ብትእዛዝ «ክቡር-ኣመሓዳሪ ባራቲየሪ»ብ 1893 ዓ.ም. ንቀዳማይ

ክፍለ-ሰራዊ 4ይ-ብጠሎኒ ደቀ'ባት ዘገልግል ዕርዲ እዩ ተተኺሉ።
22)-(**)ዓድ-ሓረ/23)-(*)ዓድ-ኣቡና/24)-(*)ዓናጉለ/ 25)-(*)ዓድ ኣርባዓ/ 26)-(**) ታሕታይ ዓናጉለ/ 27)- (*)ዓድ ቤት-ንጉስ/ 28)-(**)ዓድ ማይ-ነህጃ-ቕ= ዓድ-መሳቕል እውን ይብሃል እዩ።
29)-(**)ዓድ-ዕንቋር/30)-(**)ዓድጠቖስ/31)-ሓድሽ-ዓዲ/32)-እንዳ-የሱስ/33)-(**)ብገና/
34)-(*)ዓድ-በረኸቲ/35)-(**)ዓድ-ሽረኸታይ/
36)-ዳዕሮ-ቆሓናት/37)-ዓድ-በግዖ/38)-ሽባኻ/
39)-(**)ዓድ-ኰተዮ-ታሕታይ/40)-(**)ዓድ ኰተዮ-ላዕላይ/41)-(**)ዓድ-ሓምቢ/42)-(**)-ዓድ'ጣል/43)-(**)እንዳ'ርባዓንሳዕ/44)-ኩዶ'ንበሳ/
45)-(**) ዓድ ዋጠት/ 46)-(**)ጠናቡቕ።

እዚ ጉልት'ዚ፣ ዓድ ጸጸር/ ዓዲ ዓዲ/ ዓድ ሰጉዶ/ ደንጓቢት/ ዓድ-ባሮ/ እተባህሉ ዓድታትን፣ ውሑዳት ኣባይቲ ሓረስቶት ዝርከብዎም መሬትን ኣብ በሬቕት (ደቃ-ምሊጋእ)፣ ይብጽሖኒ ዝብል'ኳ እንተኾነ፣ ሓያል ተቓውሞ ይቐርብ እዩ።
ዓድ ጠቖስ/ዓድ ቤት-ንጉስ/ ዓድ ዕንቋር/ ዓድ ማይ-ነህጃቕ/ ብገና/ ዓድ-በረኸቲ/ ዓድ-ሽርኸታይ/ ሓድሽ-ዓዲ/ እተባህሉ ዓድታት፣ ኣብ መሬት በሬቕት እኳ ዝርከቡ እንተኾኑ ርጉጽ ተቓውሞ ስለ ዘቕርቡ እዮም ኣብዚ ጉልት'ዚ ተፈቒዶም ዘለው።
ዓድ'ርባዓ/ ዳዕሮ-ቆሓናት/ ዓድበግዖ/ ሽባኻ/ ክልቲኦም ዓድ ኰተዮን/፣ ኣብ ምድሪ ማይ-ጻዕዳ እዮም ዝኣትው።

ብዘይካ ዓድ'ርባዓ (ፍሉይ ዋንነት ዓድ-ሞንጎንቲ ብምኻኑ) ኩሎም'ዞም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ዓድታት፣ ምስቲ ኣሰዲብና እንምልከቶ ጉልቲ-ደቃ ቦኽሪ፣ ንፍርቂ እዮም። ደቃ-ቦኽሪ ግን፣ ንዓድ-ሞንጎንቲ ብዛዕባ ዋንነት ኩዶ'ንበሳ/ ዓድ-ሓምቢ/ ዓድ ዋጠት/ ዓድ'ጣል/ ጠናቡቕ/ እተባህሉ ዓድታት፣ ይምጉቶ እዩ። እተጠቕሱ ዓድታት ግን ኣብዚ እዋን'ዚ፣ ባዲሞም እዮም።
ኣይቃብጹ/ ዓድ ጸንፉ/ እተባህሉ ክልተ-ዓዲ፣ ኣብ ቆላ እዮም።
እዚ ጉልት'ዚ፣ መሃያ/ ሻዓ/ እተባህሉ ዓድታት ኣብ እገዛ-ዓድ ራእሲ ድማ ኣብ መረታ ይብጽሖኒ በሃላይ እዩ። እዚኦም ግን፣ ብቕድሚ ደጊያት-ውቤ፣ ዋንነት ኣከለ ጉዛይ ብምንባሮም፣ እዚ ወረዳ'ዚ ይምጉቶም እዩ።

ደቃ-ቅንጹብ

1)-ዳምባ ምጭ/ 2)-(**)ዓድ ዋጠት/ 3)-(**) እንዳ'ባ-ድንኩል/4)-(**)ዓድ-ሳዓሳብ/5)-(*)-ዓድ ግንደፈር/6)-(**)ዓድ-ላምዛይ/7)-(**)ዓድ-ጨናውቲ።

ነፍስ-ወከፍ ዓዲ፣ በብውልቁ ግብረ-መሬት ይኸፍል።

እቶም ኣብ ድሓር እተጠቕሱ ሰለስተ-ዓድታት፣ ኣብ ቆላ እዮም።

ዓድ ኣድከመ

1)-ዓድ ኣድከመ/ 2)-ሰምዓሰም/ 3)-ጻምር/
4)-(*)ዓድ ብሻዓ/ 5)-ዓድ ደቃ ተኸላ/
6)-ዳንደር/ 7)-(*)ዓድ ጕዳእቲ/ 8)-(*) ዕረት
9)-(**)ያና/ 10)-ክላድ ዳዕር/ 11)-(**)ደቅ
ወራሲ/ 12)-እንዳ'ባ መጣዕ/ 13)-(**)ሓኸላ።

እዚ ጉልት'ዚ፡ ነዋሕ-ዝባን እተባህለ ዓዲ ኣብ ተድረር/
ደቅ-ወራሲ ኣብ ቆላን፡ ይብጽሖኒ ኢሉ ይምጉቶም እዩ።

ተመልከት፥
እዚ ጉልት'ዚ፡ ፍርያምን-ማይ ዝበዝሖ ቦታን ብምዃኑ፡
ኣብ ጽበለጸ ወገን-ሰሪዩ ይርከብ።
እንዳ'ባ መጣዕ፡ ዘገርም ደብሪ እዩ።

ገብረ መራዲት

1)-(*)ዓድ ሕርዋ/ 2)-(**)ዓድ ገደና/
3)-(*)ዓድ ሹም ኣከለ/ 4)-(*)ዓድ ደቅ ኣርባዓ/
5)-ድርቆ/ 6)-ላዕላይ ድርቆ/ 7)-(**)ዓድ ባዓረግ
8)-(*)እንዳ ገብርኤል/ 9)-(**)ጋዋ።

ጋዋ፡ ኣብ ማይ-ጻዕዳ እዩ።
እዚ ጉልት'ዚ ዝውንና መሬት፡ ምስ ኣከሉም-መራጉዝ/
መሬት-ፍርቲ እዩ።

ያና-መናዕ'ላ

1)-(*)ያና መናዕ'ላ/ 2)-(*)ዓድ ሆጕን/ 3)-
(*)ምኽዶ/ 4)-(**)መኽየን/ 5)-(**)ዓድ ዛርና
6)-(**)ዓድ ጎሓርቲ/ 7)-(**)ዓድ ባዱም/ 8)-
(**)ዓድ ጕድባ/ 9)-(**)ዓድ ድንድል።

እዚ ጉልት'ዚ፡ ምስ ዓድ-ኧላ ንፍርቲ ዓድ-ባዓረግ እተባህለ
ዓድን/ ምስ ጉልታት እንዳ'ዝማች ዐቕቢት- ዓድ ኧላን ድማ
ብማዕረ፡ ምኽዶ እተባህለ ዓዲ ይውንን።

መራጉዝ — **ያቆብ**

1)-(**)ዓድ ገዛሩ/ 2)-(**)ማይ ደደም/ 3)-
(*)ዓድ መርከሻ/ 4)-(**)ዓድ ጕንጓይ/ 5)-
(*)ዓድ ኣቢጋት/ 6)-ኣርማጻና/ 7)-(*)ዓድ ኣሰር
8)-(**)ዓድ ሳምራይ/ 9)-(**)ዝባን ሰራው/
10)-(**)ዓድ ሓረጎት/ 11)-ዓድ ተፋእ/ 12)-
(**)ጕርማጢ/ 13)-(**)ዓድ ዓንደል/ 14)-
(**)ዓድ ጉዛቦ/ 15)-(*)ዓድ ሻኸላ/16)-(*)ዓድ
ዓርቃም/ 17)-ደግዋምዒት/ 18)-ላዕላይ ዓዲ/
19)-(**)ዓሊ ጀኸል/ 20)-(**)ዓድ ምሓራዊ/
21)-(**)ምግላብ/ 22)-(**)ንዱቕ/ 23)-ዓድ
ጉረቶ/ 24)-(**)ማይ ቋቑ/ 25)-ቁሸት/ 26)-
(*)ገዛ ሕድሩ/ 27)-በረኽ/ 28)-(**)ዓድ መኸዳ
29)-(**)ዓድ ፍኝዕ/ 30)-(**)ኣድያቦ።

ላዕላይ ዓዲ/ ምግላብ/ ዓድ-ምሓራዊ/ ዓድ-ዓርቃም/
ደግ'ምዒት/ ንዱቕ/ ዓድ ፍኝዕ/ ዓሊ ጀኸል/ ዓድ-
ጉረቶ/ ቁሸት/ ማይ ቋቑ/ ገዛ ሕድሩ/ ኣድያቦ/፥
እተባህሉ ዓድታት፡ ኣብ ቆላ እዮም ዝርከቡ።

		ዓድ-ዓንደል እተባህለ ዓድን/ዓድ መረኸድ/ዓድ ቆንጸናብ፡ እተባህሉ መሬት ናይዚ ጉልትን፡ እብ ማይ-ጻዕዳ እዮም ዝርከቡ።መሬት ዓድ-ቆንጸናብ ግን፡ ምስ ጉልቲ እንዳ-'ዝማች ዑቕቢት፡ ንፍርቂ እዩ።
		ዓድ-ጉዝዐ/ በራኺ/ ጐርጣጢ/ እተባህሉ ዓድታት፡ እብ ምድራ-ተኸላ ይርከቡ።
	እኮሎም	1)-ዓድ'ሓይሽ/2)-ዓድ-ሽለሙን/3)-(**)ዓድ ኸጃ/4)-(**)ዓድ-የሕኒ/5)-(**)ዓድ-ቆቕሑ/ 6)-(**)ዓድ-በላ/7)-(**)ዓድ-ደቅ'ባ/8)-(**)ዓድ-ደቅ-እቡን/9)-(*)ዓድ-ጐነት/10)-(*)-ዓድ-ላጐን/11)-(**)ዓድ-ሕዝባይ/12)-(**)ቆዶ ጸቦ/13)-ዓናኒት/14)-(**)እሳሕሊ/15)-(**)ዓድ እርቃይ/ 16)-(*)ዓድ ሽልየ/ 17)-(**)ዓድ ወድ ድርቂ/18)-(**)ክቱር/19)-(**)ማይ-ጫባ/ 20)-(**)ዓድ እባል/ 21)-(*)ዓድ ንፋስ/ 22)-(**)ዓድ-ቾለቶ/-23)-(**)ጋሞ/24)-ቆዶ'ጽጋቢ።
		ዓድ ጐነት፡ እብ ቆላ እዩ።
		መሬት "ጋሞ" ናይ እተባህለ ዓዲ፡ ምስ ጉልቲ ገብረ-መራዊት ንፍርቂ እዩ።
		ጋሞ/ ዓናኒት/ ቆዶ ጸቦ/ ዓድ-ንፋስ/ ዓድ ሸለቆ/ እሳሕሊ/ ዓድ-እርቃይ/ ዓድ-ሽልየ/ ክቱር/ ዓድ ወድ-ድርቂ/ ዓድ እባል/ እተባህሉ ዓድተት፡ እብ ማይ-ጻዕዳ እዮም።
ማይ-ጻዕዳ ወይ ጫሕዳ	እንዳ'ዝማች ዑቕቢት	1)-(**)ዓድ-ረምሰገድ/2)-(**)ዓድ-እብርሃም/ 3)-(*)ቢት-ጽዮን/4)-(**)ዓድ-ኹራይ/5)-(**)ዓድ-ብጨቕ።
		እዚ ጉልት'ዚ ብተወሳኺ፡ ንፍርቂ ምስ ጉልቲ-ያቆብ (መራጉዝ) -ዓድ-ቆንጸናብ(**)እተባህለ ዓድን፡ ፍርቂ-መሬት ዓድ'ንቀርትን- ዓድ ወ'ጠለቕን፡ ይውንን። እቲ ካልእይ-ፍርቂ ናይዞም ዳሕረዎት ክልተ-ዓዲ፡መሬት "ዶሚናለ" እዩ።
		ጉልቲ እንዳ'ዝማች ዑቕቢት፡ ብዛዕባ ዋንነት ዓድ-ጕባይ/ ላቦናት እተባህሉ ዓድታት እብ ተድረር እውን፡ መሰል ይሓትት እዩ።
	ዓድ-ኺላ	1)-ዓድ-ኺላ/2)-ዓድ'ምኒ/3)-(*)ዓድ-ሒጋይ/ 4)-ዓድ-ግና/5)-(*)ማዕድያ/6)-(**)ጠምዐ/ 7)-(**)ዓድ-ፋጃጁ/8)-(**)እሑ/9)-(**)ዓድ እቜቓ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ኣሰንር ብሓባር (**)ዓድ-ወፊርቲ
እተባህለ ዓዲ/ ምስ ጉልቲ ያና መናዕ'ላ ድማ ንፍርቲ
ዓድ-በዓረግ እተባህለ ዓዲ ይውንን።

እቲ ሎም ሰብ ዘይነብሮ ዋንታዊ «ደብረ እንዳ'ባ ዕረ»
ኮኑ- እቲ ዋንነት ጉልቲ < ደብር-ማርያም ቆሓይን >
ዝነበረ " ዳምባ-ምጭ " እተባህለ ልቼቕ ዓድን፡ እብ
መሬት ዓድ-ኺላ እዮም።

" ጠቐራ ቀይሕ " እተባህለ ሰብ ዘይነብሮ ዓዲ ኣብ መሬትዘ
"ድርቆ" እተባህለ ዓዲ ኣብ ገበረ-መሬዒት ድማ ንፍርቲ
ዋንነት ጉልቲ ዓድ-ኺላ እዮም።
ብዘይካ'ዚ፡ 30 እንዳ ዝነብርዎ " ኾር-ጨቓምጠ" እተባህለ ዓዲ
ኣብ ምድሪ-ተድረር፡ ዓድ-ኺላ ይምጉቶ እዩ።

ጉልታት እንዳ ኣዝማች ዑቕቢት/ ዓድ-ኺላን ብሓባር ዝውንንዎ መሬት ዓድታትን።

ኣብ ማይ-ጻዕዳ፥
1)-(**)ዓድ ኣውሒ/ 2)-(**)ዓድ እራር ዓደኒ/
3)-(**)ዓድ መጣቕዕ/ 4)-(*)ዓድ ሜማይ/
5)-ያና ዝቢእን ታሕታይ/ 6)-(**)ዓድ ምጸዳ/
7)-(*)ቤት ገብርእል/ 8)-(**)ዓድ እበር/ 9)-
(**)ዓድ ቈላቁል/ 10)-(*)ዓድ'እዱግ።

ኣብ ቤት-ገብርኤል፡ ቤተ-ክርስትያን/ ውሑዳት ኣባይቲ
ካህናት ይርከቡ።

ብዘይካ ኣብ ስራየ ዝርከቡ መሬት-ዓድታትን፡ እዞም ክልተ
ጉልቲ ብሓባር፡ ንቲ ግዙፍ-ሃብታምን ዝኾነ " ሓድሽ ዓዲ
እተባህለ ዓዲ ኣብ ተድረር፡ ይብጽሓና ኢሎም ይምጉትዩ
እዮም። ሓድሽ-ዓዲ፡ ካብ 80 ንላዕሊ ዝግመቱ እን
ይነብርዎ።

ኣብ ተኸላ፥
1)-ማይ ልቡስ/ 2)-(**)ቆዶ ጭራ (ዓድ ገረብ
እውን ይበሃል እዩ)/ 3)-(**)ደርዓንቶ/ 4)-ምኸደ

ተመልከት፥
ዋንነት ደርዓንቶ፡ ብዘይካ ነዞም እተጠቕሱ ክልተ-ጉልቲ
ንጉልታት ዓድልገስ/ ደርዓንቶን እውን፡ ብማዕ
ይብጽሖም እዩ።
ኣብ ጥንቲ፡ መላእ ምድሪ ማይ-ጻዕዳ ሓደ ጉልቲ ኣ
ዝነበረሉ፡ «ደርዓንቶ» እዩ ርእሰ-ከተማኡ ዝነበረ። ሎ
ማን፡ከም ሳዕቤን ፖሊቲካዊ ቃልሲታት-ሕልኸልኸን፡ ወና
ሓደ-ርብዒ ካብ መሬቱ ኮይኑ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ፍሉ
ኩነታት ይርከብ (እቲ ሰለስተ-ርብዒ ከም እተባህለ
ንጉልታት እንዳ'ዝማች ዑቕቢት/ ዓድ ኺላ/ ዓድልገስ
እውን ስለ ዝምቀል) ።
ጉልታት እንዳ'ዝማች ዑቕቢት/ዓድ-ኺላን፡ ኣብ ምኸ
እተባህለ ዓዲ ዘለዎም ናይ ሓባር ዋንነት፡ እንተላ
ጉልቲ ያና መናዕ'ላ ናይ ሓደ-ሲሶ(1/3) በዓል-ብርኺ
እዩ።

ዓድ ባሕሮ

1)-(**)ዓድ ባሕሮ/ 2)-(**)ዓድኻ'ርዊ/ 3)-(**)ዓድ ልብሶ።

እቶም ቀዳሞት ክልተ-ዓድታት ኣብ ተኸላ፥ እቲ ሳልሳይ ድማ፥ ኣብ መራጉዝ እዮም ዝርከቡ።

ዓድ-ልብሶ፥ ምስ ጉልቲ-ኣሰጋር ንፍርቂ እዩ።

ጋቢኣን

1)-ጋቢኣን።
ኣብዚ ጉልት'ዚ፥ ክልኣት ዓድታት ኣይርከቡን። ጋቢኣን እተባህለ ዓዲ ግን፥ ብዙሕ-ህዝቢ ዝነብረሉን- ኣብ ምቹእ ቦታ ዝርከብ ፍርያም-ዓዲ እዩ።
ብዘይካ'ዚ ድማ ጉልቲ-ጋቢኣን፥ ብዝሕ ዝበለ ክልእ ጽቡቕ-መሬት እውን ይውንን እዩ።
ሎሚ'ኳ ኣሰሮም ኣይርከብን እምበር፥ ኣብ ጥንቲ፥ ኣብዚ ጉልት'ዚ ክልኣት ዓድታት እውን ከም ዝነበሩ፥ ዘየጠራጥር እዩ።

እግሪ ማእከል

1)-(*)እግሪ ማእከል/ 2)-(**)ዓድ ዕቡስ።

እዚ ጉልት'ዚ፥ ኣብ ተኸላ ብዙሕ መሬት ይውንን።
ኣብዚ መሬት'ዚ እውን ብእዋኑ፥ብዙሓት ቁሸታት ነይሮም እዮም።

ኣሰጋር

1)-(*)ኣሰጋር/ 2)-(**)ዓድ ወፈርቲ።

ዓድ-ወፈርቲ እተባህለ ዓዲ፥ምስ ጉልቲ ዓድ-ኺላ ንፍርቂ እዩ።

እዚ ጉልት'ዚ'ውን፥ ኣብ ማይ-ጻዕዳ ብዙሕ መሬት ይውንን ።

ደርዓንቶ

ሰብ ዘይነብሮ(**) "ደርዓንቶ" እተባህለ ዓዲ ንውልቁ ዝርከቦ ጉልቲ እዩ። ዝተረፈ ህዝቢ፥ ዝርኽቡ፥ ኣብ ኩዶፈላሲ ይነብር።
መሬት ናይዚ ቀደም "ርእሰ-ከተማ" ማይ-ጻዕዳ ዝነበረ ዓዲ፥ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኣርባዕተ ስለ እተኸፍለ፥ ሓደ-ርባዕ(1/4) ጥራሕ እዩ ዋንነት ናይዚ ጉልቲ ዝኾውን።
እቲ ሰለስተ-ኣፍ፥ ንጉልታት -እንዳ'ዝማች ዑቕቢት- ዓድ ኺላ- ዓድልገስ- ብማዕረ ይብጽሖም።

እዚ ጉልት'ዚ፥ ኣብ ዶንጎሎ ዝርከቡ መሬትን/ መሬት ጉዛ-ጭዓንዱቕ ኣብ ማይ-ጻዕዳን እውን ይውንን እዩ።

ዳምባ ወይ
እንዳ ስላሴ

1)-ዳምባ/ 2)-(*)ዓድ ኣንፌ/ 3)-(**)ሓድሽ ዓዲ/ 4)-(*)ዓድ ቀሺ/ 5)-(*)ዓድ ፍኝዕ።
ብቕድሚ ሃጸይ-ዮሃንስ፥ "እንዳ-ስላሴ" ጉልቲ ንዳም ደብረ-መንቀርዮስ ኣብ ደቃ-ተሰፋ እዩ ዝነበረ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ኣሰንር ብሓባር (**)ዓድ-ወሬርቲ እተባህለ ዓዲ/ ምስ ጉልቲ ያና መናዕ'ላ ድማ ንፍርቲ ዓድ-በዓረግ እተባህለ ዓዲ ይውንን።

እቲ ሎሚ ሰብ ዘይነብር ጥንታዊ «ደብረ እንዳ'ባ ዕረ» ኮነ- እቲ ዋንነት ጉልቲ < ደብር-ማርያም ቀሓይን > ዝነበረ " ዳምባ-ምጭ " እተባህለ ልቑቕ ዓድን፡ ኣብ መሬት ዓድ-ኺላ እዮም።

" ጠቐሬ ቀይሬ " እተባህለ ሰብ ዘይነብር ዓዲ ኣብ መሬትዝ "ድርቆ" እተባህለ ዓዲ ኣብ ገብረ-መሬዒት ድማ ንፍርቲ፡ ዋንነት ጉልቲ ዓድ-ኺላ እዮም።
ብዘይካ'ዚ፡ 30 እንዳ ዝነብርዎ "ኾር-ጨቖምጠ" እተባህለ ዓዲ ኣብ ምድሪ-ተድረር፡ ዓድ-ኺላ ይምጉቶ እዩ።

ጉልታት እንዳ ኣዝማች ዑቕቢት/ ዓድ-ኺላን ብሓባር ዝውንንዎ መሬት ዓድታትን።

ኣብ ማይ-ጻዕዳ፡
1)-(**)ዓድ ኣውሒ/ 2)-(**)ዓድ እሬር ዓይኒ/ 3)-(**)ዓድ መጣቕዕ/ 4)-(*)ዓድ ጫማይ/ 5)-ያና ዝኢእን ታሕታይ/ 6)-(**)ዓድ ምጸዳ/ 7)-(*)ቤት ገብርኤል/ 8)-(**)ዓድ ኣበር/ 9)-(**)ዓድ ቈላቁል/ 10)-(*)ዓድ'እዱግ።

ኣብ ቤት-ገብርኤል፡ ቤተ-ክርስትያን/ ውሑዳት ኣባይቲ ከዘናት ይርከቡ።

ብዘይካ ኣብ ሰሬዮ ዝርከቡ መሬት-ዓድታትን፡ እዞም ክልተ-ጉልቲ ብሓባር፡ ነቲ ግዙፍ-ሃብታምን ዝኾነ " ሓድሽ ዓዲ " እተባህለ ዓዲ ኣብ ተድረር፡ ይብጹሓና ኢሎም ይምጉትዎ እዮም። ሓድሽ-ዓዲ፡ ካብ 80 ንላዕሊ ዝግመቱ እንዳ ይነብርዎ።

ኣብ ተኸላ፡
1)-ማይ ልቡስ/ 2)-(**)ቆዶ ጭሬ (ዓድ ገረብ እውን ይብሃል እዩ)/ 3)-(**)ደርዓንቶ/ 4)-ምኽዶ

ተመልከት፡
ዋንነት ደርዓንቶ፡ ብዘይካ ነዞም እተጠቕሱ ክልተ-ጉልቲ፡ ንጉልታት ዓድልገስ/ ደርዓንቶን እውን፡ ብማዕረ ይብጽሖም እዩ።
ኣብ ጥንቲ፡ መላእ ምድሪ ማይ-ጻዕዳ ሓደ ጉልቲ ኣብ ዝነበረሉ፡ «ደርዓንቶ» እዩ ርእሰ-ከተማኡ ዝነበረ። ሎሚ ግን፡ከም ሳዕቤን ፖሊቲካዊ ቃልሰታት-ሕልኸልኽን፡ ወናኒ ሓደ-ርብዒ ካብ መሬቱ ኮይኑ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ፍሉይ ኩነታት ይርከብ (እቲ ሰለስተ-ርብዒ ከም እተባህለ፡ ንጉልታት እንዳ'ዝማች ዑቕቢት/ ዓድ ኺላ/ ዓድልገስ/ እውን ስለ ዝምቀል) ።
ጉልታት እንዳ'ዝማች ዑቕቢት/ዓድ-ኺላን፡ ኣብ ምኽዶ እተባህለ ዓዲ ዘለዎም ናይ ሓባር ዋንነት፡ እንተላይ ጉልቲ ያና መናዕ'ላ ናይ ሓደ-ሲሶ(1/3) በዓል-ብርኪ እዩ።

ዓድ ባሕሮ

1)-(**)ዓድ ባሕሮ/ 2)-(**)ዓድኽ'ርዊ/ 3)-(**)ዓድ ልብሶ።

እቶም ቀዳሞት ክልተ-ዓድታት ኣብ ተኸላ፡ እቲ ሳልሳይ ድማ፡ ኣብ መራጉዝ እዮም ዝርከቡ።

ዓድ-ልብሶ፡ ምስ ጉልቲ-ኣሰጓር ንፍርቂ እዩ።

ጋቢኣን

1)-ጋቢኣን።
ኣብዚ ጉልት'ዚ፡ ካልኦት ዓድታት ኣይርከቡን። ጋቢኣን እተባህለ ዓዲ ግን፡ ብዙሕ-ህዝቢ ዝነብረሉን- ኣብ ምቹእ ቦታ ዝርከብ ፍርያም-ዓዲ እዩ።
ብዘይካ'ዚ ድማ ጉልቲ-ጋቢኣን፡ ብዝሕ ዝበለ ካልእ ጽቡቕ-መሬት እውን ይውንን እዩ።
ሉም'ኳ ኣሰርም ኣይርከብን እምበር፡ ኣብ ጥንቲ፡ ኣብዚ ጉልት'ዚ ካልኦት ዓድታት እውን ከም ዝነበሩ፡ ዘየጠራጥር እዩ።

እግሪ ማእከል

1)-(*)እግሪ ማእከል/ 2)-(**)ዓድ ዕቡስ።

እዚ ጉልት'ዚ፡ ኣብ ተኸላ ብዙሕ መሬት ይውንን።
ኣብዚ መሬት'ዚ እውን ብእዋኑ፡ብዙሓት ቁሸታት ነይሮም እዮም።

ኣሰጓር

1)-(*)ኣሰጓር/ 2)-(**)ዓድ ወፈርቲ።

ዓድ-ወፈርቲ እተባህለ ዓዲ፡ምስ ጉልቲ ዓድ-ኺላ ንፍርቂ እዩ።

እዚ ጉልት'ዚ'ውን፡ ኣብ ማይ-ጻዕዳ ብዙሕ መሬት ይውንን ።

ደርዓንቶ

ሰብ ዘይነብሮ(**) "ደርዓንቶ" እተባህለ ዓዲ ንውልቁ ዝርከቦ ጉልቲ እዩ። ዝተረፈ ህዝቢ፡ ዝርካቡ፡ ኣብ ኩዶፈላሲ ይነብር።
መሬት ናይዚ ቀደም "ርእሰ-ከተማ" ማይ-ጻዕዳ ዝነበረ ዓዲ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኣርባዕተ ስለ እተኸፍለ፡ ሓደ-ርባዕ(1/4) ጥራሕ እዩ ዋንነት ናይዚ ጉልቲ ዝኾውን።
እቲ ሰለስተ-ኣፍ፡ ንጉልታት -እንዳ'ዝማች ዑቕቢት-ዓድ ኺላ- ዓድልገስ- ብማዕረ ይብጽሖም።

እዚ ጉልት'ዚ፡ ኣብ ዶንጎሎ ዝርከቡ መሬትን/ መሬት ገዛ-ጭዓንዱቕ ኣብ ማይ-ጻዕዳን እውን ይውንን እዩ።

ዳምባ ወይ እንዳ ስላሴ

1)-ዳምባ/ 2)-(*)ዓድ ኣንፈ/ 3)-(**)ሓድሽ ዓዲ/ 4)-(*)ዓድ ቀሺ/ 5)-(*)ዓድ ፍኘዕ።
ብቕድሚ ሃጸይ-ዮሃንስ፡ "እንዳ-ስላሴ" ጉልቲ ገዳም ደብረ-መንቀርዮስ ኣብ ደቀ-ተስፋ እዩ ዝነበረ።

ዓድልገስ

1)-(**)ዓድልገስ/ 2)-(*)ዓድ'ልሳት 3)-(** ዓድ ባርዲ/ 4)-(**)ሰማር ዳለ/ 5)-(**) ቤት ማርያም።

እዚም ኣብ መወዳእታ እተጠቕሱ ሰለስተ-ዓድታት፡ ኣ-ተኸላ እዮም። ኣብዚ'ውን ከም ዝረአናዮ፡ጉልቲ ዓድልገ ብጽምዲ፡ ንደርዓንቶ እውን ይውንን እዩ።

ዓድልገስ፡ ሰብ ዘይንብር ዓዲ እዩ። ኣብ ጥቓኡ ግና፡ ኵ ፈቐዶኡ መሬት ክሓርሱ ዝመጹ ሰባት ዝሃንጽዎ 'ዓድ-ሽሕ እተባህለ ቁሸት ይርከብ።

ደቀ-ቦኸሪ
ወይ ቦኸሩ

1)-ዳዕሮ ቆሓናት/ 2)-ዓድ ቡግያ/ 3)-ሸባኽ/
4)-(**)ዓድ ኵተዮ ታሕታይ/5)-(**)ዓድ ኵተዮ ላዕላይ/ 6)-(**)እፍ ማይ/ 7)-(**)ዓድ ወሎ/
8)-(**)ዓድ ሓምቢ/ 9)-ኩዶ'ንበሳ/ 10)-(**) ዓድ-ዋጦት/ 11)-(**)ጠናቡቕ/ 12)-(**)ዓድ ኣማል።

ዳዕሮ ቆሓናት/ ዓድ-ቡግያ/ ሸባኽ/ ክልቲኦም ዓድ-ኵተዮ/ ምስ ጉልቲ ዓድ-ሞንጎንቲ ንፍርቲ እዮም።
መሬት እፍ-ማይ/ ዓድ ወሎ/፡ ሞንተ ኣይተርበን።
ንዓድታት፡ ዓድ-ሓምቢ/ ኩዶ'ንበሳ/ ዓድ-ዋጦት/ ጠናቡቕ/ ዓድ-ኣማል/ ዝምልከት ግና፡ ጉልታት ደቀ-ቦኸርን/ ዓድ-ሞንጎንትን ይምኮትዎም እዮም።

ኣብዚ ቀረባ እዋናት ካብ ትግራይ ዝመጹ እንዳታት ዝሰፈርዎ ኩዶ'ንበሳ እተባህለ ዓዲ ንዲፍካ፡ ዝተረፉ ዓድታት ሰብ-ዘይንብሮም ባዶ እዮም።

ተመልከት፥
ደቀ-ቦኸሪ፡ ኣብ መጀመርያ ናይ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን፡ ብዓድ-ሞንጎንቲ ተወረሩ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት መኳንንቲ ናይዚ ዓዲ እዩ እትዩ ዝነበረ።
"ኣይተ-ደኸሓስእብ" እቦኡ ን ልጅ-ተሰፈ፡ ብዘመን ደጊ-ያት-ውቤ ነዚ ጉልት'ዚ ናብ ማይ-ጻዕዳ መለሶ።
ዋንነት መሬት ዝምልከቱ ብዙሓት ክንጽሩ ዝግባእዎ ሕቶታት ግን ከምኡይሉዎ ተረፎም፡ሳጊት ኣይተፈትሑን።
«ልጅ-ተሰፈ» ከም መራሒ-ባንዳ ንዓና (ኢጣልያ) ዘገልገለ እዩ። በዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ-ለምለም ጓል ራእሲ-ወለንኪኤል ብሰንኪ ዝኣለመቶ ውዲታት ግና፡ ብ 1888 ዓ.ም. ተእሰረ።

ጉንደት

ጉንደት

1)-ኣላጅያቦ/ 2)-(*)ገዛ ሹም መስቀል/ 3)-(*) ዓድ ገዳፍ/ 4)-ገዛ ከረን/ 5)-(*)ገዛ ባርዲም/ 6)-(*)ገዛ ኣብሰላሲ/ 7)-(*)ማይ-ሽሑ/ 8)-(*) ገዛ ክሳድ/ 9)-(*)ከረን/ 10)-(*)በረኸ ጨላቕ/ 11)-(*)ዓድ'ራጉዲ/ 12)-(**)ገዛ ጠረር/ 13)-(**)ዓድ ጨንገር/ 14)-(**)ገዛ ሹም ሰግኡ/ 15)-(**)ዓድ ጕሓር/16)-(**)ዓድ ነቕየ/ 17) (**)ገዛ ሰላኡ/ 18)-(**)ገዛ ባሕረ ነጋሲ/ 19)-(**)ገዛ ጸጸር/ 20)-(**)ዓርከኒ/ 21)-(**)ገ

ጭዕንዶግ/ 22)-(**)ዓድ ጠርያም/ 23)-(**) ሰዓልበላው/ 24)-(**)ጐልጐል እሳጅያበ/ 25)-(**)ገዛ ቀሺ/ 26)-(**)ገዛ ገብርእል/ 27)-(**) እንግሉ/ 28)-(**)ዓድ ኰተዮ/29)-(**) ፈቾዳ ከርመት/ 30)-(**)ገዛ ሹም ገብሩ/ 31)-(**)ዓሬቶ/ 32)-(**)ገዛ'ሳለም/ 33)-(**)ገዛ ሹም ደባስ/ 34)-(**)ዓድ አኸዛ/ 35)-(**)እደናዕ።

ውስጠ-ጉልቲ/ ስራየ

ዓዲ	ምድሪ	ሓበረታ
ማይ ሓርማዝ	ተኽላ	እርባዕተ እንዳ ይነብርዎ።
ዓድ ጻዲ	ተኽላ	እርባዕተ እንዳ »
ዓድ ባሬ	ተኽላ	ትሽዓተ እንዳ
ዓድ ማና	ተኽላ	ሓሙሽተ እንዳ »
ዓድ ግርማ	ተኽላ	ዓሰርተ እንዳ »
ዓድ እነስ	መሬትዝ	ምሳኡ ዝፍቅዶም፣ ዓድ ባዕላይ/ ንንት/ ማዕድያ/ እተባህሉ ዓድታት አጠቓሊልካ፣ እርባዕተ-እንዳ እዮም
ዓድ ቅስሞ	ማይ-ጸዕዳ	እተለቐቐ ዓዲ እዩ።
ዓድ'ንቀርቲ	ማይ-ጸዕዳ	እተለቐቐ ዓዲ እዩ
ዓድ ወጠለቕ	ማይ-ጸዕዳ	» » »።

****

ብዛዕባ ሰራየ ብመጽናዕቲ ዝቐርቡ ጸብጻብ

ንሰራየ ካብ ዝገጠምዎ ወራር/ ናይ ሓድ-ሕድ ኩናት/ ዝሰዓበ ክሳራ ብግቡእ ንምር-ዳእን፡ ከምኡ'ውን ኣብዚ ብሉጽ ወረዳ ተደቢቑ ተሪፉ ዘሎ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ግቡእ ዋጋኡ ክፍለጠሉን፡ እቶም ሎሚ ዝነብርዎ ህዝቢ ምስቶም *ሽርካር-ሙዚንገር* ብሕዳር 1861 ዓ.ም. ጉዕዞ ፈለግ-መረብ እናተኸተለ ብሰራየ ሓሊፉ ን «ዓድ-ኩናማ» ኣብ ዝገበሮ መገሻ፡ ኣብ ሰራየ ይነብሩ ዝበሉዎም ህዝቢ ምንጽጻር፡ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ።

ንሱ ከም ዝገመቶ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ሰራየ፡ ኣስታት ሰለስተ ሚእቲ-ሽሕ/-300.000 ዝፍቀዱ ህዝቢ ዝነብርዎን/ምስቲ ስፍሓት-መሬት ዘይተደላደሉን (ብዋ-ሕዲ) ኩይኖም ይረኽቦም።

ብርእይቶኡ፡ እዚ ዋሕድ'ዚ እዩ'ውን ንመብዛሕትኡ ክፍልታት ናይዚ መሬት'ዚ ከይ-ተሓርሰ ከም ዝተርፍ ዝዓንቀፈ ረቚሒ።

" ሙዚንገር " እዚ ክብል እንከሎ ድማ፡ በቲ ኣብ ሞንጎ ሰራየ-ቆሓይን ዝነበረ ዝምድና-ምትእስሳርን ተመሪሑ፡ ንህዝብታት ናይዚ ክልተ-ወረዳ፡ ብሓደ ኣቐሪቡ እዩ ፈቒድዎም። ንህዝቢ ቆሓይን ንበይኑ ግን፡ ዕጽፊ ህዝቢ ማይ-ጻዕዳ እዩ ኢሉ ካብ ገመቶ፡ በዚ ንሱ ዘቕርቦ ርእይቶ መሰረት፡ ህዝቢ ሰራየ ክንደይ ከም ዝነበረ ፍችዱ፡ ብቐሊሉ ዝግመት እዩ። ሙዚንገር ባዕሉ እዩ ድማ ነዚ ጸብጻብ'ዚ ዝሕብሩ ባእታታት ዘቕርበልና። ከመይሲ፡ ንህዝቢ ማይ-ጻዕዳ ኣብ 55 ዓድታት ከፊሉ፡ ኣብ ሰለስተ-ጉጅለ ይመቕሎም፥

ሀ)- ልዕሊ 1000 ሰብ ዝነብርዎም ዓድታት-

ለ)- ኣስታት 500 ሰብ ዝሰፍርዎም ማእከላይ-ስፍሓት ዘለዎም ቁሸት-

ሐ)- ካብ 50 ክሳብ 200 ሰብ ዝዋርንፉ ንኡሳን ማሕበረ-ኮም።

ቀጺሉ ድማ፡ኣብ ጉጅለ- ሀ)ዝርከቡ ዓድታት 26 እዮም ስለ ዝብል፡ ጠቕላሊ ፍችዲ፡ 26.000 ሰብ ምዃኑ እዩ። ኣብ ጉጅለ- ለ)10 ቁሸት ይጠቅስ። ስለዚ 5000 ሰብ ምዃኖም እዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ጉጅለ- ሐ)19 ንኡሳን-እንዳ ስለ ዝፈ-ቅድ 3.800 ህዝቢ ይነብሩ ማለት እዩ።

ስለ'ዚ ብእጠቓላሊ፡ ፍችዲ መላእ ህዝቢ ማይ-ጻዕዳ ኣብቲ ዓመት'ቲ 35.000 ሰብ ኣቢሉ እዩ ዝግመት ነይሩ።

ሳዕቤኑ፡ ህዝቢ ቆሓይን ድርብ ህዝቢ ማይ-ጻዕዳ እዩ ካብ ተባህለ፡ኣብ ቆሓይን 70000 ሰብ ይነብሩ ነይሮም ማለት እዩ።

እንዞ እምበኣርከስ ኣብ ሰራየ፥300.000-70.000= 230.000 ህዝቢ እዩ ዝነበረ።

ኣብ መፈጸምታ 1892 ዓ.ም.(31 ዓመት ብድሕር'ቲ ሙዚንገር ዝደምደሞ መጽና-ዕቲ) ብእተገብረ ስፍሕ ዝበለ ገምጋም-ፈቒድ፡ ኣብ መላእ ሰራየ ካብ 1600 ክሳብ 1700 ዘይበዝሑ "እንዳ" ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ማእከላይ ኣቃውማ ነፍስ-ወከፍ እንዳ ብ 7 ሰብ ምስ ዝግመት፡ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ጠቕላሊ-ፍችዲ ህዝቢ ሰራየ 11.900 ሰብ ኣቢሉ እዩ ዝግመት ዘሎ።

ወዮ ምሁር ሙዚንገር ብ 1861 ዓ.ም. ንህዝቢ ሰራየ 300.000 ሰብ ይኸውን ኢሉ ገሚቱ፡ ምስ'ቲ ዘሎ ስፍሓት-መሬት ኣመዛዚኑ ድማ፡ ዋሕዲ ህዝቢ ዘመልክት መደ-ምደምታኡ፡ ምስ'ዚ ኣብ ዳሕረዋይ እዋን እተገምገመ ፈቒድ እንተዝመዛዘንከ ?!!!

ስዒባ ኣብ እትኽተል ጸዋረት፡ ህዝቢ ናይዚ ወረዳ በብጉልቱ ተኸፊሉ፡ ነፍስ-ወከፍ ጉልቲ ብመሰረት ኣዋጅ «ሃጸይ ዳግማይ እያሱ» ክኸፍሎ ዝግደድ ዝነበረ ግብረ-መሬት፡ ብወግኡ ክጥቀስ እዩ።

****

ምድሪ	ጉልቲ	ፍቕዲ እንዳታት	ግብረ-ንጉስ ብቕርሺ
ተኸላ	ኩዶፈላሲ	245	3.000
	ዓዲ ሞንጎንቲ	101	3.000
	ያና መናዕ'ላ	15	600
	ደቃ ቅንጹብ	12	600
	ዓዲ ኣድከመ	64	600
	ገብረ መራዲት	146	600
መራጉዝ	ያቆብ	146	3.000
	ኣከሉም	84	
ማይ-ጻዕዳ	እንዳ'ዝማች ዑቕቢት / ዓዲ-ኺላ	550	3.000
	ዓዲ ባሕሮ	-	
	ጋቢእን	46	
	እግሪ ማእከል	17	
	ኣሶንር	2	
	ደርዓንቶ	-	
	ዳምባ ወይ እንዳ ስላሴ	40	
	ዓዲልገስ	2	
	ዓዲ ቦኸሪ	50	
ጉንደት	ጉንደት	114	600
	ጠቕላሊ ድምር=	1.634 እንዳ	15.000 ቅርሺ ባጤራ

ብምኽንያት ናይቲ ኣብ ሞንጎ ጉልታት እንዳ'ዝማች ዑቕቢት/ ዓዲ-ኺላን ዝጸንሐ እተመሓላለኸ ናይ ጥቕሚ ጉዳያት-ምስሕሓብን፣ ንቶም ኣብኡ ዝነብሩ ህዝብታት ፈሊኻ ምንጻር ኣይከኣልን። ስለ'ዚ እዩ ድማ ብሓባር ምቕራቦም ኣድላይ ዝኾነ።

ኣብ ሰራየ-ቆሓይን-ደቃ ተሰፋ፣ ኣስዒብና ከም እንርእዮ፣ ግብረ-ንጉስ ከበሃል እንከሎ፣ ብዘይካ ብቕርሺ-ባጤራ፣ ብ «ፈርጊ» እውን ይኽፈል ነይሩ እዩ።

«ፈርጊ»ማለት፣ ዓሰርተው-ክልተ እመት ዝምንዋሑ/ክልተ-እመት ዝምግፋሑ፣ብፈትሊ-ጡጥ እተኣልመ ዓለባ ማለት እዩ። እዚ ስፍር'ዚ፣ሓደ ምሉእ-ጋቢ (ደቀ'ባት ዝወድይዎ ልብሲ) ምእላም ዘኽእል እዩ።

ኗረ-ውግ ዝበዝሔ ኣብ ቃሳ ይፈረ። ብደቃ-ኣንስትዮ ተፈሪዖ ምስ ተፈትሖ ድማ፡ በቶም ብብዝሒ ኣብ ሰራየ ዝነብሩ ጀበርቲ ይእለም። ኣብዚ ወረዳ'ዚ ኩን ኣብ ካልእ ወረዳ-ኢትዮጵያ፡ እዚ ስነ-ጥበብ'ዚ ፍሉይ ክእለት ናይቶም "ጀበርቲ" ዝበሃሉ ዜጋታት እዩ።

ከምዚ'ሉ እተእልመ ፈርጊ ድማ፡ግብረ-ንጉስ ኣብ ምኽፋል፡ዋጋኡ ብ 2 ቅርሺ-ባጠራ ተገሚቱ፡ ሰራዊት-ንጉስ ምዕንጋል እዩ ዝነበረ ምያኡ።

ወረዳ ደቃ-ተስፋ

ምንም'ኳ ተስፋ ወድ-ወረሰናዝጊ በሕዋቱ ማኢ- ምልጋእ ተሳዒሩ፡ ንዓኡን- ቤተ ሰቡን ሰዓብቱን መናበሪ ዝኸውን ሓድሽ ቦታ ከናዲ፡ ካብቲ ብሉጽ ወረዳ-ሰራየ ክርሕቕ እንተተገደደ፡ ፍሉጣት ዶባት ዝሓጽርዎ/ እተፈላለዩ ዘራእቲ ዘፍረ፡ ስቡሕን-ዘውሕስን/ ኣዝዩ ሰፊሕ ዝኾነ መሬት ክውንን ኩነ፡ እግሪ ክተክል ዕድል'ውን ረኺቡ እዩ።

እዚ ኣገዳሲ ዝኾነ «ወረዳ ደቃ-ተስፋ» ዋላ'ውን በቶም ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት እተዳለው ስእለ-መሬት ዘስጽሩ ሰነዳት(ማፓ-ማፕ) ክይተጠቕሰ እንተጸንሐ፡ ኢጣልያ እስመራ ብድሕር ምእታው፡ ብምድግጋም ተኹሊሉ እኹል መጽናዕቲ ተገይርሉ ኣሎ።

ብ 1891-1892 ዓ.ም. ኣብቲ ቦታ'ቲ ይነብር ብዝነበረ ብጻየይ "ግብጣን-ጃርዲኖ" ደቂቕ መጽናዕቲ ስለ እተኻየደ እዩ ድማ፡ ሎምስ ብዛዕባ እዚ ወረዳ'ዚ ዝተረፈ ምስ-ጢር ዳርጋ የለን ክበሃል ዝከኣል።

መሬት ደቃ-ተስፋ ብቕንዱ ኣብ ሰሜሕ ጐላጕል ማይ-ኣንበሳ ይርከብ።

እዚ ማለት፡ ካብቲ ወሓዚ ማይ-ኣንበሳ ዝብገሰሉ ምንጭታት ኣትሒዙ/ ክሳብ'ቲ ምስ ፈለግ-መረብ ብየማናይ ጸግዑ ዝጽምበረሉ (ካብኡ ኣትሒዙ ፈለግ-መረብ ንባዕሉ፡ ስም ለዊጡ «ሶና» እዩ ዝበሃል) ኣብ ዘሎ ጐላጕል እዩ መሬት ደቃ-ተስፋ።

ከም ወዮ ሓደ ብሂል ትግርኛ ዝብሎን፡ ህዝቢ ናይዚ ወረዳ ደጊሙ ዝዝክሮን፡

«ምቕንጣው ዝርእሱ - ዶብነ ዝእግሩ» ኣብ ዝርከብ ቦታ እዩ ምድሪ ደቃ-ተስፋ።

ምቕንጣው፡ ኣብ ደንደስ ክበሳ ብሰሜናዊ-ምብራቕ ዓረዛ ዝርከብ ክሳድ እዩ። ካብዚ እዮም'ውን እቶም ንጐላጕል ማይ-ኣንበሳ ዝሓጽሩ ሰንሰለት-ኣኽራናት ዝፍለዩን ዑብል እተባህለ ወሓዚ (ንሱ'ውን ምስ ፈለግ-መረብ ዝጽምበር) ተበጊሱ፡ ንምብራቓውን-ዶብባውን ዶባት ዝፈሊ።

ከምኡ'ውን እቲ ምስ ፈለግ-ባርካ ዝጽምበር "ምውፋር ቀላቲ" እተባህለ ወሓዚ፡ ካብዚ እዩ መበገሲኡ። ብምብራቓዊ-ዶባት ምስ ወሓዘ ድማ፡ ን ሰሜናዊ-ክፍሊ ናይዚ ወረዳ ይኸፍሎ።

ዶብነ፡ ነቶም ኣዝዮም ኣብ ምዕራባዊ-ወገን ደቃ-ተስፋ ዝርከቡ ዓድታት ዝእስር ሰንሰለት ኣኽራናት እዩ። ሰብ ብዘይሰፍርዎ ጐላጕል እናወረደ፡ ክሳብ'ቶም ኣጸቢቖም ዘይተኣጸሩ ካብ ባርያ-ባዛ ዝፈልዩ ዶባት ይዝርጋሕ።

እዚ ብሓፈሻኡ ቀሪቡ ዘሎ ምልክታታት ከም ዝሕብር፡ ኣብዚ ወረዳ'ዚ ሕተፈላለዩ ናይ ኣየር ጠባያት (ክሊማ) ከም ዘለው ብቕሊሉ የረድእ። ነዚ ምፍልላይ ኩነታት-ኣየር ዘስጽሮ ድማ፡ እቶም ኣብዚ ቦታ ዝርከቡ ኣኽራናት ዘለዎም ክብታ እዩ። ኣብ ሓድ-ሓደ ቦታ፡ ንማእከላይ ገምጋም ናይ ክበሳታት-ክብታ ብቕሩብ ለጠቕ ይብልዎ። በዚ ምኽንያት ድማ፡ እቶም ኣብ መጠናዊ ጠባያት-ኣየር ሃገራት ኤውሮጳ ዝፈርዩ ተኽሊ፡ ኣብዚ፡ምቹእ ቦታ ምረኸቡ። ብዙሓት ምውቕ-ኣየር ዘፍርዮም ተኽሊ(ትሮፒካል) እውን ንዝርኢ ምፍታን፡ ኣገዳሲ ውጽኢት ኣይምተሳእናን።

ፍርያምነት ናይዚ መሬት አየጠራጥርን። ማይ እውን፡ ኣብ ብሉጽ ወገናቱ ብቐሊሉ ይርከብ።

***

ቅድም'ቲ ፋሉላዊ-ዘመናት፡ ደቃ-ተስፋ እውን ከምቶም እተጠቕሱ ካልኦት ወረዳ፡ ብ«ኣባታዊ-ስርዓት» እዩ ክመሓደር ጸኒሑ።

ነፍስ-ወከፍ ጉልቲ፡ ሓራ ዝኾነ ናይ ጉዛእ ርእሱ ሹም ነበሮ። ኣብቲ እዋን'ቲ እተላ-ዕሉን ነዊሕ ዝጸንሑን ናይ ሓድ-ሕድ ቃልሳታት ግን፡ ንራእሲታት-ትግራይ ጥዑም ባይታ ፈጢረ'ሞ፡ ናይዚኦም ምትእትታው ድማ፡ ንዝጸንሐ ኩነታት ካብ ስሩ ገማጠሎ።

ኣብ መጀመርያ እዋናት ናይዚ ክፍለ-ዘመን፡ ከም ሳዕቤን ናይ ዝነበረ ውሽጣዊ ምስ-ሕሓብን- ባዕዳዊ ምትእትታውን፡ "ኣዝማቲ-ፎቕርየስ" እተባህለ በዓል ዶብነ፡ ብራእሲ-ወልደስላሴ ሹም መላእ ደቃ-ተስፋ ተሸመ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ስራየ/ ቀሓይን፡ ብ " ኣይተ ሰሎሞን ቆርጫ " እዮም ዝመሓደሩ ነይሮም። ነዚ እውን ራእሲ-ወልደስላሴ እዩ መራጺኡ።

ኣብ ሓማሴን ግን፡ *ክንቲባይ-ዘርኣይ በዓል ሃዚጋ* ብ " ናይባት-ሞንኩሎ " ተደጊፉ ን *ገብረክርስቶስ በዓል ጸዓዚጋ* ስዒሩ እዩ ኣብ ምምሕዳር ዝነበረ።

ኣዝማቲ-ፎቕርየስ፡ ልዕሊ ኣርባዓ ዓመት ዝኣክል ኣብ ስልጣን ጸኒሑ ብዝሞተ፡"ማሙ" እተባህለ ውላዱ እዩ ወሪሲኡ።

"ኣይተ-ገረመስቀል" እተባህለ ሹም-ጉልቲ ዓረዛ ግና(ብእዋኑ፡ ወታሃደር-ፎቕርየስ እዩ ዝነበረ) ንመዝነት ማሙ ስለ ዝነጸገ፡ እቲ ውርሻ-ስልጣን ዝምልከት ጉዳይ፡ ብብረት ክም ዝፍታሕ ኮነ።

ኣብቲ ግጥም፡ "ማሙ" ተሳዒሩ ኣብ «ሽረ» ተዓቕበ። ምኽንያቱ ድማ፡ ኣብዚ ኣብ ሽረ፡ ምስ "ኣይተ-ዘለላ" እተባህለ፡ ዘዋሰባ ጓል እውን ስለ ዝነበረቶ።

ብድሕር'ዚ፡ኣይተ-ገረመስቀል ሓይሊ ደሊቡ ጐይታ መላእ *ደቃ-ተስፋ* ተባሂሉ ንደቅ-ማኢ (ስራየ) እውን መለኾም። *ኣብ ደቃ-ምሊጋእ*(ቀሓይን) ግን ዘይምለኽ ተቓውሞ ስለ ዝገጠሞ፡ ክዕውተሎም ኣይከኣለን።

ኣይተ-ገረመስቀል፡ 6 ወይ 7 ዓመት ምስ ጸንሐ፡ ኣብ ሞቱ፡ ን "ኣይተ-ገረጻዲቕ" እተባህለ ውላዱ እዩ ስልጣን ኣመሓላሊፉ።

ሰለስተ-ዓመት ብድሕር'ዚ፡"ኣይተ-ለልሽ" እተባህለ ዘመድ-ወራስን ፎቕርየስ (ኣባሓጎኡ ንለልሽ፡ ሓው ፎቕርየስ ብምዃኑ) ሹም ጉልቲ-ኣከሎም ብምንባሩ፡ 600 ቅርሺ-ባጠራ ሒዙ፡ ግብረ-ጉልቲ ንምኽፋል ንዓረዛ፡ ንሹም ናይቲ ወረዳ ከረከበ መጸ።

ኣይተ-ለልሽ ግና፡ኣዋድቓ ጸጉሪ/ ልብስን ደቅ-ኣንስትዮ ኣምሲሉ ብምቕራቡ፡ ኣይተ-ገረጻዲቕ ነዚ ተመልኪቱ፡ ስለምንታይ ከምኡይሉ ከም ዝቐረበ ሓተቶ።

ለልሽ እንኪምልስ፥ «ብዘመኑ፡ ስድራኻ እዮም ንስድራይ ዝግብሩ ነይሮም፡ ሎም ግን ኣነ ንዓኻ ዝግብረሉ እዋን ካብ መጸ፡ ሰበይቲ ምዃነይዶ ኣይተረጋገጸን ? » ቢሉ መለሰሉ። ገረጻዲቕ፡ በዚ ተባዕ መልሲ ተቖጢዑ፡ ካብ ዝነበርዎ ኣዳራሽ፡ ጸርፊ እውን ከየናሕሰየ ኣሰናበቶ።

ለልሽ ግን በዚ ከይረዓደ፡ ን ዓዱ «ዓድ-ቖሖ (ኣከሎም)» ብዝተመልሰ፡ ሕነኡ ምፍዳይ ድኣ ሓለነ። ኣብ ዓዱ ብዝእተወ ድማ፡ ብህዝባዊ-ኣዋጅ መሰረት፡ ዝኾነ-ይኹን ዓይነት ግብሪ ን "ገረጻዲቕ" ከይክፈል ኣዘዘ።

ገረጻዲቕ ነዚ ሰሚዑ ካብ ኩሎም'ቶም ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ዝርከቡ ህዝብታት (ካብ ስራየ እውን ከይተረፈ)፡ በብሉጻቶም መሪጹ፡ ኣንጻር ለልሽ ተላዕለ። እዚ ድማ፡ ሚዛን ሓይልታቶም ከም ዘይተደላደለ ተረዲኡ፡ ንጊዜኡ ውሕስነት ኣብ ዝርከበ ቦታ ምዕቋብ መረጸ። "ደርሆ-ቆንጸይ" ኣብ እተባህለ እምባ እውን ኣንሳሓበ።

ባህረ ናይቲ ቦታ ተረር ብምኳኑ ድማ፣ ገረጻዲቕ ካብቲ እምባ ክብርብሮ ኣይከኣለን። ስለ'ዚ እውን ሓንሒኑ፣ ነቲ ኣብ ጥቓኡ ዝርከብ "ዓድ-ቖሖ" እተባህለ ዓዲ፣ ብሓዊ ተኻሕሶ።

ኣይተ-ለልሽ፣ ዓዱ እሳት-ይቃጸል ምንባሩ ምስ ተገንዘበ፣ ብጾቱ ኣኸቲሉ ካብ'ቲ ዝነበረሉ እምባ ወሪዱ፣ ሃንደበት ንገረጻዲቕን-ሰዓብቱን ጉበጦም። ምስ ሰዓሮም እውን፣ ኣብቲ ህድማ ብሕርቃን፣ እግረ-እግሮም ተጓየየ። ገረጻዲቕ ንዕድል ኣምሊጡ ኣብ ዓድ-ሞንጎንቲ ተዓቝበ። ለልሽ ክስዕቦ ኣይከኣለን። ንዓረዛ ኣትዩ ግን፣ ንሰለስተ-ወርሒ መመላእታ ኣብኡ ተቐሚጡ፣ ብኹላ ኣዕነዋ። ብሓዊ ሕነኡ ፈደዩ ድማ ምስ ኩሉ'ቲ ዝዘረፎ ንብረት፣ ናብ ጉልቱ ተመልሰ።

ብድሕር'ዚ ፍጻሜ'ዚ ግና፣ ለልሽ ብዝረኸቦ ዓወት ትዕቢት ኣሕደረ'ሞ፣ ምስ ቤተ-ሰቡ ኣብ ምስሕሓብ ኣተወ።

ሽውዓተ-ወርሒ ብድሕር-ምቅጻል ዓረዛ፣ እቲ ጽልእም እናበኣሰ ከይዱ፣ ኣብ ብረት ምስ ተባጽሑ ድማ፣ ላልሽ ተቐትለ።

እዚ ታሪኽ'ዚ፣ ደጊያት-ውቤ ተሳዒሩ ተድሮስ ግና ስልጣኑ ኣብ ዘየረጋገጸሉ እዋናት-(1885 ዓ.ም.) እዩ ተኻይዱ።

ብድሕር-ሞት ለልሽ፣ ንዓቃ-ታስፉ ዝሳቐየ ናይ ምስሕሓብ እዋናት እዩ ሰዒቡ።

ገረጻዲቕ፣ ተጻራሪኡ ብዝሞተ፣ እንደገና ትብዓት ኣሕዲሩ፣ ነዚ ወረዳ ወረሩ-ራሰዮ። ነዚ ግፍዕ'ዚ ፈጺሙ ክምለስ እንከሎ ግና፣ እቶም ግዳያት-ዝረፋኡ ዝኾኑ ሰብ-ዓዲ፣ ደድሕረኡ ሰዒቦም እንደገና ነቲ እግሪ ኣብ ምትካል ዝነበረ ከተማ-ዓረዛ ሓዊ ኣቓጸልዎ። ደድሕር-ገረጻዲቕ ምጉያይ ግና፣ክሳብ ሰራዩ ቀጸለ። በዚ ኣቢሉ ድማ ንዓድ-ኂላ ኣትዩ ኣብኡ ክዕቆብ ተገደደ። ኣብ ዓድ-ኂላ ግና፣ ብ "ኣይተ-ገረኣምላኽ" እተባህለ ጕይታ ናይቲ ጉልቲ (ነቲ ድሮ እተዘርበሉ ኣይተ-ገረማርያም፣ ኣቦኡ ምኳኑ እዩ)፣ ኣይተ-ገረጻዲቕ ተቐትለ።

ከምዚ'ሉ'ውን ኣይተ-ገረኣምላኽ ካብ ኣደራዕ "እንዳ-ዓረዛ" ተላቐቐ።

"ኣይተ-ወንደፍራሽ" እተባህለ ሓው-መዋቲ ኣይተ-ገረጻዲቕ፣ ምስ ኩሎም ኣዝማዱን-ዝተረፉ እሙናት ሰዓብቶም፣ ምስ "ኣገው-ንጉስ" ተሰለፉ።

ኣገው ንጉስ ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ ተድሮስ ንሃጸያዊ-ዝፋን ይወዳደር ብምንባሩ፣ ካብ ሃገር-ፈረንሳ ክመጾ እተተስፈወ ሓገዝ ንምርካብ፣ ኣብ ገማግም-ባሕሪ ገጹ እዩ ዝቀ-ላቐል ነይሩ።ስለዚ እዩ'ውን ንደሰ-ደስ ተኸተልቲ፣ ን ኣይተ-ወንደፍራሽ እኹል ሓገዝ ኣወፍዩ ደቃ-ተሰፉ/ ቆሓይን/ ብኣኡ ከም ዝምለኹ ዝገበረ። ሰራየ ግን፣ ብድሮ ተመሊኹ እዩ ጸኒሑ።

ከምዚ'ሉ፣ ምሉእ ደቃ-ወረሰናዝጊ ኣብ ትሕቲ ፍጹም-ምልኪ "ኣገው-ንጉስ" ኣተወ። ምምሕዳሩ ግን፣ ን "ኣይተ-ወንደፍራሽ" እዩ ተዋሂብዎ።

እዚ'ውን ነዊሕ ኣይጸንሐን። ክመይሲ፣ እቲ ተስፋ እተገብረሉ ሓገዝ-ፈረንሳ፣ ኣይተ-ማልኣን። ኣብ ልዕል'ዚ ድማ፣ ተቓውሞታት ደቀ'ባት እናሓየለ ብምምጻኡ፣ ኣገው-ንጉስ መረብ/ምላሽ ለቒቑ ክወጽእ ተገደደ። ተድሮስ ዝኣከል ሓይሊ ምስ ደለበ ድማ፣ ህላዌ ኣገው-ንጉስ ንባዕሉ ኣብ ሰጋእ ምስ ኣተወ፣ ሓይሊ ኣይተ-ወንደፍራሽ እውን ምሳኡ፣ ዋሕስ ሰኣነ።

ኣገው-ንጉስ፣ ብታሕተዋይ መረብን/ታሕተዋይ ተከዘን ኣቢሉ፣ ንዓድ-ኣምሓራ ምእታው ኣብ ዝገበሮ ፈተን ተሳዒሩ ምስ ተቐትለ፣ «እንዳ-ጸዓዘጋ» ብወገን ተድሮስ ተሰሊፎም ጸኒሖም፣ ንሱ ብዝተዓወተ፣ እንደገና ኣብ ምምሕዳር ምሉእ መረብ/ምላሽ ተመልሱ።

"ደጊያት-ሃይሉ"፣ ክከም'ቲ ዝነበረ/ዞብኣዊ-ባህልታት/ ሕጊ/ ናይ ቀዳሞት ልምድን/፣ ዝጸንሐ መዝነት-ስልጣን፣ ብግብኡ ነቶም ሰብ-መሰል ዝኾኑ መራሕቲ ናይቲ ዞባ ክመልሰሎም ተቐላጢፉ። ብመሰረት'ዚ ድማ፣ ኣይተ-ወንደፍራሽ፣ ሹም ጉልቲ-ዓረዛ ብዝብል ምጡን ስልጣን፣ ኣብ ጉልቱ ተወሲኑ ተረፈ።

ሃጸያት ተድሮስ/ዮሃንስ ኣብ ዝገዝእሉ ዓመታት፣ "እንዳ-ዓረዛ" ብእተፈላለየ መንገዲ ኑቲ ብረጽሚ ኣብ«እዋን-ራእስታት» ዘጥረይዎ ስልጣን ዳግም-ምምላስ'ኳ እንተፈተኑ፣ ካብ ሕጋዊ-ዶባቶም ወጻኢ፣ ዝኾነ ይኹን መዝነት ኣይተፈቕዶምን።

ኣብ እተኻየዱ ውዲታት፣ ንመጸኢ ደቃ-ተስፋ ጥራሕ ዘይኮነ ንብምሉኡ መረብ/ምላሽ ከይተረፈ ካብ ዝጸለው ፍጻሚታት፣ እዚ ዝስዕብ እዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ክጥቀስ ዝከኣል።

ደጊያት-ንጉሰ (ቦኸር-ውላድ ኣይተ-ገረጸዲቕ) ምስ እንዳ-ጸዓዘጋ ዝምድና ንምትካል፣ ንጓሉ ወይዘሮ-ውባ ምስ ልጅ-ካሳ ወድ ደጊያት-ሃይሉ ኣዋሰባ። ካብዚ መውስቦ'ዚ ድማ "ኣዝማች-ኣበራ" ይውለድ። ኣዝማች-ኣበራ፣ እቲ ስዒቡ ብመቕተልቲ "ግብማን-በቲኒ" ሕማቕ-ዝና ዘትረፈ ዜጋ እዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፣ እቲ ስዒቡ« ራእሲ» እተሸመ ወለንኪኤል በዓል ሃዘጋ እውን ብወገኑ፣ ኑቲ ተጻራሪኡ ዝኾነ እንዳ-ጸዓዘጋ ኣብ ደቃ-ተስፋ ከሕድሮ ዝጀመረ ጽልዋታት ንም-ዕጋት፣ንጓሉ ወይዘሮ ጥሩ፣ምስ ክፍለየሱስ እተባህለ ወድ ኣይተ-ጎፋር በዓል 'ኩናረዳእ፣ ኣዋሰባ።

መበቆል ኣይተ-ጎፋር ኣብ ዓድ-ክልካል እዩ። እዚ ምጡን ዓድ'ዚ፣ ኣብ ጉልቲ ኩና-ረዳእ እዩ ዝእቱ። እዚ ጉልት'ዚ ድማ፣ብ «ደብሪ እንዳ-መንቀርዮስ» ስለ ዝመሓደር፣ "እበምንየት" ናይዚ ደብሪ እዩ ተጸዋዒ ናይዚ ጉልቲ ዝኸውን።

ስለዚ ኣይተ-ጎፋር ብመስመር-ትውልዲ፣ ስልጣን ኩን መሰል ዘይግቦእ እዩ። ምስ ደጊያት-ውቤ ዓስኪሩ ብዝፈጸሞ ቅያታት ግና፣ ሓይልን-ትብዓትን ኣመስኪሩ፣ ኣብቲ ምሉእ ወረዳ ዝፍራሕን-በዓል ክብርን እዩ ዝነበረ።

ኣይተ-ጎፋር፣ ብዝኾነ መንገድን-መስርሕን ተጠቒሙ፣ እቲ ደብሪ ዝነበሮ ጸብለልትነት ንምትካእን-ምብሓትን፣ ፈተነታቱ ኣየዕረፈን።

ብድሕር'ዚ እተጠቕሰ መውስቦ ድማ፣ ክፍለየሱስ፣እሙን ተኸታሊ ሓምእ ኮይኑ፣ ኣብ ዝሰዓበ እዋናት «በላምበራስ» ዝብል ሽመት ተዋህበ።

ኣብቲ ውሑድ ራእሲ-ወለንኪኤል ስልጣን ዝሓዘሉ እዋናት ብተወሳኺ፣ ኣመሓዳሪ ምሉእ ደቃ-ተስፋ ተባህለ።

በላም.-ክፍለየሱስ እውን በቲ ንራእሲ-ወለንኪኤል በዓል-መስቀል ንምብዓል ብሃጸይ-ዮሃንስ ኣብ ዓድዋ እተገብረሉ ዕድመ፣ ብ "ኣሉላ" ተታሊሉ ተማሪኹ እዩ።

ራእሲ-ወለንኪኤል ኣብ "እምባ-ሰላማ" ክሕየር እንከሎ ግና፣ በላምበራስ-ክፍለየሱስ ብ ራእሲ-ኣሉላ ንሽድሽተ-ወርሒ ብሓጺን ተመቒሑ፣ ብትእዛዝ ናይቲ ራእሲ'ውን፣ ብኣካላዊ-መግረፍቲ ተቐጺዑ እዩ። ብፍቓድ ሃጸይ-ዮሃንስ እዩ ኣብ ዝሰዓበ እዋናት፣ ካብ ዝነበሮ መዝነት ተቐንጢጡ፣ ሓራ ተለቒቑ።

ክፍለየሱስ ተኣሲሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፣ደጊያት ንጉሰ- ልጅ ኣስገዶም እተባህሉ ሰብ ዓረዛ ናብ ራእሲ-ኣሉላ ቀሪቦም፣ ብስም መሰል-ትውልድን ካልእ ግቡኣትን፣ ምምሕዳር ዓረዛ ሓቲቶ። ሃጸይ-ዮሃንስ ግና፣ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝኾነ ወደ'ባት ካብ መጠኑ ንላዕሊ ክብ ከይብል ብዝብል ፖሊቲካዊ ፍርሒ፣ ሕቶኦም ነጸጉ።

በላምበራስ-ክፍለየሱስ ሓራ ምስ ተባህለ፣ ኣርባዕተ-ወርሒ ዝኸውን ኣብ ዓዱ ጸንሐ። ብድሕር'ዚ፣ ሓምሳ ካብቶም ብእዋኑ ብሉጻት ዝነበሩ ወታሃደራቱ ኣኸቲሉ፣ ሰብ ብዘይንብረሎም በረኻታት-ባርካ ሓሊፉ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር-ግብጺ ዝነበረ ምድሪ ተዓቚበ። ብልክዑ'ውን ኣብ ሓልሓል። እቶም ንክረን ከመሓድሩ ዝጸንሑ ሰበ-ስልጣን፣ ጽቡቕ ተቐባልነት ገይሮምሉ ጥራሕ ዘይኮኑ፣ ብረት-ጠያይትን ኣስኪቖም ኣንጻር'ቶም ሰዓብቲ ብላታ-ገብሩ (ተኸታሊ ራእሲ-ኣሉላ እዩ ዝነበረ) ኣብ ዶባት ኮይኖም ኑቶም ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር-ግብጺ ዝርከቡ ዓድታት ብምጭዋይን/ ሃንደበታዊ ራስያ/ ራዕድን ከዘውትሩ ዝጸንሑ ጭፍራታት ንምዕጋት፣ ክጥቀምሉ ፈተኑ።

እዚ ኩነታት'ዚ፣ ክሳብ'ቲ «ውዕል ሀወት» እተፈረመሉን (ሰነ 1884 ዓ.ም.) ብመሰረት'ዚ ድማ ግብጺ ካብ ሰንሒት ዝለቐቐሉን እዋናት፣ ከምኡይሉ እዩ ቀጺሉ።

ብድሕር'ዚ ን "ብላታ-ገብሩ" ምምሕዳር ከረን ምስ ተዋህቦ፣ በላምበራስ-ክፍለየሱስ ካብኡ ለቒቑ፣ ኣብ ሓባብ ተዓቝቡ ጸንሐ።

ኣብ ዝሰዓበ ዓመት (1885 ዓ.ም.) ሰራዊት-ኢጣልያ ባጽዕ ብዝወረረ፣ በላምበራስ-ክፍለየሱስ ቡቲ እሙን ተኸታሊኡ "ሻለቃ-ጉርጃ" ኣቢሉ ምስ ሰበ-ስልጣን ኢጣልያ ርክቡ ጀመረ።ኣብ መጀመርያ 1886ዓ.ም. ድማ፣ኣብ ባጽዕ ወግዓዊ ዕድመ ተገብረሉ።

ከም ዝፍለጥ፣ ብ 1888 ዓ.ም. ንሱን ጭፍራኡን ን ወፍሪ-ከረን ተላኢኾም ብዝተ-ዓወቱ፣ ክፍለየሱስ ኣብ ሓጺር እዋን ናይ ልዕልነት ዝምባለ ኣሕዲሩ፣ ናይ ባዕሉ ነጻ ዝኾነ መዝነት ክዘውትር ጀመረ። ብወርሒ ሰነ 1889 ዓ.ም. ሓደ ናይ ኢጣልያ ሰርዒት ንከረን ወረሩ፣ ንበላምበራስ ክፍለየሱስ ማረኾ። ብድሕር'ዚ እዩ መንግስቲ-ኢጣልያ ንወዱ ማለት ን"በላምበራስ-ይልማ" መራሒ ናይ ዝነበረ ሰራዊት ኣቦኡ ሸይሙ፣ ምስ ጉጅለኡ ን ደቃ-ተስፋ ክምለስ እውን ፈቒድሉ።

በላምበራስ-ይልማ ግን ንመንግስቲ-ኢጣልያ ከዲዑ፣ ኣለው ምስ ዝበሃሉ ኣባላት እንዳ-ዓረዛ መኸረ። ምእንት'ዚ'ውን ብድሕር ነዊሕ-ጽንኩርን ወታሃደራዊ-ፍጻሜታት፣ ንሱን-ሰዓብቱን ተማሪኾም ኣብ ዓሰብ ከም ዝሕየሩ ተገይሩ።

****

ሹም ጉልቲ ደቃ-ተስፋ፣ ከምቶም ናይ ሰራየ «እይተ» (ጐይታ) እዮም ዝበሃሉ። ጉልቲ ደቃ-ታዕስ ነገዶም ካብ "ናይባት-ሞንኩሎ" ዝኾኑ በለው ይሰፍርዎ። "ሓበሻይ" እተባህለ ሹም እዩ'ውን ዕለቱ'ኳ እንተዘይተፈልጠ፣ኣብ ኣዝዩ ሕሉፍ እዋን ናብዚ ቦታ መሪሕዎም ኣትዩ። እቲ ጉልቲ እውን ንባዕሉ ካብ "ታዕስ" ወድ-ሓበሻይ እዩ መበቆል-ስሙ።

ዘርኢ-ታዕስ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ይኽፈል፥ 1)-ዓድ መጉእ/ 2)-ንዓሉ/ 3)-ጐንፌ ኣብርሃም/ 4)-እምኑ/ ይበሃሉ።

ዓድ መጉእ- እምኑ፣ ነፍስ-ወከፎም ዓሰርተው-ክልተ እንዳ እዩ ፍቒዶም።

ጐንፌ ኣብርሃም፣ ኣርባዕተ-ሓሙሽተ እንዳታትን/ ውሑዳት ካህናትን ይርከብዎ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ንዓሉ ፣ሓደ-ጨንፈር ብምትራፎም፣ ምስ ዓድ-መጉእ እዮም ሓቢሮም።

ኣብ ሞንጎ "ዓራውቲ" እተባህለ ዓድን/ወሓዚ ሰላዕ ዳዕሮን፣ ብእዋኑ «እንዳ'ባ ታዕስ» ተባሂሉ ንኹሎም ደቂ-ታዕስ ዝጥርንፍ ቤት-መቕደስ ነይሩ እዩ። እዚ ቤት-መቕደስ ሎም'ኳ ዓንዩ እንተተረፈ፣ ዛጊት ኣብ ያናታቱ ካብ ዝተረፉ ውሑዳት ነገደ-ታዕስ፣ ኣብ መዓልቲ በዓላት ኣብዚ ንጸሎት ይእከቡ።

ኩሎም'ቶም ዝተረፉ ኣብ ጉልታት ደቃ-ተስፋ ዝነብሩ ህዝብታት ብሓባር፣ዘርኢ-ተስፋ ወድ-ወረሰናዝጊ ምዃኖም ይኣምኑ። ካብዚ ኣረኣእያ'ዚ ዝፍለዩ ዓድታት፥

ሀ)- ዓድ ደቀ ወራሲ፣ ኣብ መሬት ዓረዛ'ኳ ዝኣቱ እንተኾነ፣ ንሰራየ እዩ ዝብጽሖ። ዝነብርዎ ህዝቢ ድማ፣ ዘርኢ-ማኢ እዮም።

ለ)- ዓድ ጐንጎ፣ ኣብ ክልተ ተኸፊሉ ሓደ-ወገኑ ን መራጉዝ ይብጽሖ።

ምድሪ-ደምበላስ ኣብ ክልተ-ጉልቲ እዩ ተኸፊሉ ዝነበረ። ኩኖረዳእ/ ደምበላስ-ታሕታይ (ወይ ደምበላስ ናይ ንጉስ) እውን ይበሃሉ።

ጉልቲ-ኩኖረዳእ፣ ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፣ ንሓላፊ «ደብሪ ኣቡነ-መንቀርዮስ» እዩ ከም ሹም-ጉልቲ ክፈልጦ ጸኒሑ። ስለዚ እዚ ጉልት'ዚ ብስም "ምድሪ-ፈላሲ" እውን ይፍለጥ ነይሩ እዩ። "ሃጸይ ዳዊት-ሳልሳይ" እዩ'ውን እዚ ጉልቲ ነቲ ደብሪ ኣረኪ-ብዎ። ሓላፊ ወይ ኣበምንየት ናይዚ ገዳም፣ ሹም-ጉልቲ እውን ብምንባሩ፣ እቲ ብ

600 ቅርሺ ባጠራ ዝግምገም ግብረ-ንጉስ ናይ ምኽፋል ግዲታ ናይዚ ጉልቲ ምርካብ እውን፡ መዝነቱ እዩ ዝነበረ። ኣብ መወዳእታ እዋናት ንግስነት ሃጸይ-ዮሃንስ እዩ ካብ ምምሕዳር ናይቲ ጉልቲ ተቐንጢጡ። ምኽንያት ናይዚ ትእዛዝ ድማ፡ እቲ ደብረ ብ «እንዳ በላምበራስ-ክፍለየሱስ» እተላዕለ ናዕቢ፡ ክቱጻጸር- ክዓግቶን ስለ ዘይከኣለ (ወይ ስለ ዘይደለየ) ዝብል እዩ ነይሩ።

ደምበላስ-ታሕታይ ወይ ደምበላስ ናይ ንጉስ፡ ኣብ ማይ-መፍለስ ብዝቐመጥ ሹም-ጉልቲ እዩ ዝመሓደር ነይሩ። ስድራኡ ዛጊት ኣብኡ ይነብር። ሓላፍነቱ ድማ፡ ብውርሻ እዩ ዝመሓላለፍ ዝነበረ።

ደምበላስ-ታሕታይ፡ ኑቲ ድሮ ኣብ ጉልቲ ማይ-ጻዕዳ(ወረዳ ሰራየ) እተጠቕሰ መሬት-ዳምባ ወይ እንዳ-ስላሴ፡ ይብጻሓኒ ኢሉ ይምጉቶ እዩ። ከም ሓቁ ግና፡ እዚ ጉልት'ዚ ብዘመኑ፡ ን ገዳም ደብረ-መንቀርዮስ እዩ ዝግብር ነይሩ። ስለዚ፡ ኣብ ምስሕሓብ ናይዞም ክልተ-ወረዳ ክኣቱ ኣይምተገብእን።

መሬት-ዳምባ ብንጹር፡ ካብ መሬት ደቃ-ተስፋ ወጻኢ ይርከብ። ብዘይካ'ዚ እውን፡ ኣብኡ ዝነብር ህዝቢ፡ ዘርኢ-ተስፋ ምኻኑ ኣገዩ ዘጠራጥር እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት፡ ብዘይካ'ዞም ስዒቦም ዝጥቀሱ ዓድታት፡ ካልኦት'ውን ይዝከሩ እዮም። ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ግን ሰብ ስለ ዘይነብሮም፡ ምጥቃስም ኣድላይ ኣይከውንን።

****

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብክፍሎም
ምድሪ ስበሪ	ዓረዛ	1)-ዓረዛ/2)-(**)ዘርቢእን/3)-(*)ዓድ-ቦጾኒ/4)-ዝባን-ደብሪ/5)-(*)ዓድ-ጐኑት/6)-(*)ዓድ-እለይና/7)-(*)እንጻዓ/8)-(*)ዓድ-ባል/9)-ዓድ-ባኢ/10)-ዓድ-ሽሮኻይ/ 11)-(**)ዓድ-ብሊናይ/ 12)-ማይ ጫያ/13)-ማይ ውቐሳ/14)-ዓድ'ቐጻዓ/ 15)-ዓድ-ውጹዕ/16)-ዓድ'ሰመኑ17)-ዓድ'እከላ/18)-ዓድ-ጨራቓይ/19)-ደብረሰላሲ/20)-ዓድ-ተኸሉ/21)-(**)ዓድ-ዕንቋር/22)-(*)ዓድ-ጉብሉስ/23)-(**)ዓድ-ማግእ/24)-(**)ጸዕዳ-ዓዲ/25)-(*)ዓድ ሓሜን/26)-(*)ደብረ ሲና/ 27)-(*)ደብረ ሳሕሊ/28)-(*)ምላድ-ማንታ/29)-ዓድ-ወልዶ/30)(**)ድንጊኢል/31)-(*)ምእራይ-መብቆል/32)-(*)ድቡቕ/ 33)-(*)ያና ማሓርዊ/34)-መንደበላ። ዓድ-እለይና፣ ምስ ውሰጠ-ጉልቲ ማይ-ላሓም ንፍርቂ እዩ።
ደምበላስ	ኲኖ ረዳእ ደምበላስ ላዕላይ ወይ ምድሪ-ፈላሲ እውን ይበሃል እዩ	1)-ምሓረሽ-ወይ-ማይ-ሓረሽ/2)-(*)አይጸገብና/3)-(*)ዓድ-ጭዕንዶግ/4)-(**)ዓድ-ንእዲ/5)-(**)-ዓድ-በልጸይ/6)-(**)ዓድ-ታህሰስ/7)-(*)ዓድ ቐላቲ/8)-(**)ዓድ-ከልካል/9)-ዓድ-ኢጋልዕ/10)-(**)ምማት-ተኾረር/11)-(**)ዝባን-ዋሓላ/12)-ዳልቕ/ 13)-ደብረ መንቀርዮስ። ደብረ-መንቀርዮስ፣ ሓደ ካብ'ቶም ዝሓየለን-ዝዓበየን ደብርታት ዓድ-ሓበሻ እዩ። ብዘይካ ኲኖረዳእ፣ ሓሙሽተ ኣብ ዓረዛ ዝርከቡ ዓድታት እውን ይውንን ነይሩ እዩ።ከምኡ'ውን ኣብ ሽረ/ዓድ-እምሓሪ፣ ካልእ ንብረት ይርከብዎ። እዚ ጉልት'ዚ ቡቲ ደብሪ ክመሓደር ዝፈቐደ፣ ሃጸይ ዳዊት-ላልሳይ እኳ እንተኾኑ (1505-1540 ዓ.ም.)፣ ንቲ ቤት-መቕደስ ዝሃነጸ ሃጸይ-ፋሲል እዩ (1662-1665 ዓ.ም.)። ከሳብ ዘመነ ሃጸይ-ዮሃንስ ድማ፣ እተፈላለዩ ነገውስ ኢትዮጵያ ነዚ ደብር'ዚ ወፈያታት ኣየቋረጽሉን።
	ደምበላስ ታሕታይ ወይ ደምበላስ ናይ ንጉስ እውን ይበሃል እዩ።	1)- ማይ-መፍለስ/ 2)-ዓድ ሊባን/ 3)-ቴናን ቆብዓ 4)-ዓድ ጸጸር/ 5)-ዓድ'ማል/ 6)-(*)ጸዕዳ ዓዲ/ 7)-ዓድ ባረን/ 8)-(*)ገምባር ጐባይ/ 9)-ጽቡቕ ግራት/ 10)-ዓድ ሳምራ/ 11)-ዓድ ቅመሽ ወይ ዓድ ደቅ መንሽ። እዚ ጉልት'ዚ፣ ብዛዕባ ዋንነት ጉልቲ ዳምባ፣ ምስ ማይ-ጸዕዳ ይምጉት እዩ።

ዓድ-ቅመሸ ወይ ዓድ ደቅ መንሸ፤ ምስ ውስጠ-ጉልቲ ማይ-ላሓም ን ፍርቂ እዩ ዝነበረ።

ደቅ ታዕስ ወይ ደቃ ታዕስ

ሓደ ጉልቲ

1)-(*)ሰምሃር/ 2)-(*)ዓረውቲ/ 3)-ባዕላይ ዓዲ 4)-(*)ማሓቁቕ/ 5)-(*)ዓድ ሃዳናይ/ 6)-(**) ዓድ ኣሉሒት/ 7)-(**)ጉንዲሒት/ 8)-(*)ዓድ ከልካል/ 9)-(**)ዓድ እምበራ/ 10)-(**)ጸዕዳ ዓዲ/ 11)-(*)ዓድ ዝባ/ 12)-(**)ሴሎጽ።

ትኹል...

1)-(*)ትኹል/ 2)-(**)ዝዛ ሽረ/3)-(**)ምሻኒ 4)-(**)ዝዛ ጸበይ/ 5)-(**)እንዳ'ባ ስምኦን/ 6)-(**)ዓድ ዝምበር/ 7)-(**)ዝዛ ደጋው/ 8)-(**)ደኹነብያ/ 9)-(**)ዓድ'ንፈጽ።

ዛይዳ'ከሎም እተባህለ ሓደ ጉልቲ እዮም

ኣከሎም...

1)-(*)ዓድ ኣተይ/ 2)-(**)ዓድ ፋዱል/ 3)-ዓድ ደኺታ/ 4)-(**)ዓድ መሸላ/ 5)-(**)ዓድ ላሕማ 6)-መዐረይቲ/ 7)-ዓድ ኳኺት/ 8)-ዓድ ጥሚዓ/ 9)-(**)ዓድ ቀጻላ/ 10)-ዓድ ጉልትና/ 11)-ዓድ ጨዓንደቕ/ 12)-(*)ዓድ ሰበራ/13)-(*)ዓድ ጋዛ 14)-ዖና ጸረት/ 15)-ዓድ ቷሖ/ 16)-(**)ዓድ ቆእንጥብ/ 17)-(**)ዓድ ፈማን ሲጋ/ 18)-(**) ዳብረ/ 19)-(*)ዓድ ሳምኤል/ 20)-(*)ዓድ ምሓረት/ 21)-(**)ዓድ ጉልጉል/ 22)-(**)ዓድ ለምጸይ/ 23)-(**)ደርሆ ቆንጸይ/ 24)-(**)ዓድ ደምበላይ/ 25)-(**)ዓድ ቆሓጽየን/ 26)-ዓድ ሰጉይ/ 27)-(**)ዓድ ትሕጃ/ 28)-(**)ዶብነ/ 29)-(**)ዓድ ተኸሉ።

መረጉዝ

1)-(**)ማይ ላሓም/ 2)-(*)ዓድ ዕቑር/3)(**) ዓድ ብጥሉል/ 4)-(**)ዝዛ ጸሊም። እዞም ኣርባዕተ ዓድታት፤ ንማይ-ላሓም እዮም ዝበጽሕዎ።

1)-(**)ዓድ ኣንጸ መረጉዝ/ 2)-(**)ዝዛ ደቅ ተስፋ/ 3)-(*)ዓድ ጋዛ/ 4)-(**)እማፈናጠ/5)-(*)ዝዛ ባሕረጽዮን/ 6)-(*)ዓድ ሽም ኣከለ/ 7)-(**)ዓድ ባረንቲ/ 8)-(**)ዓድ መኸዳ።

ዓቢ ውስጠ-ጉልቲ ማይ-ላሓም

እዞም ሾሞንተ-ዓድታት፤ ንፍርቂ እዮም ንማይ-ላሓም ዝበጽሕዎ። እቲ ካልኣይ ፍርቂ፤ ዋንነት ጉልቲ ደቅ-ደማስ ኣብ ቆሓይን እዩ።

ምድሪ ሰበራ

1)-(*)ዓድ በዝሓ። ብምልኡ ናይ ማይ-ላሓም እዩ።
2)- ዓድ ኣለይኖ። ምስ ጉልቲ ዓረዛ ንፍርቂ እዩ።

ደምበላስ ታሕታይ

1)- ዓድ ቅመሸ ወይ ዓድ ደቅ-መንሸ።
ምስ ጉልቲ ደምበላስ-ታሕታይ ንፍርቂ እዩ።

ብመጽናዕቲ ዝቐርበ ጸብጻብ።

ህዝቢ፥ ኣብ መላእ ደቓ-ተሰፋ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሽድሽተ-ሚእቲ ዝፍቀዱ ስድራ-ቤት እዮም ዝነብሩ። ነፍስ-ወከፍ ስድራ ብ 5-6 በዚሑ ድማ ብ 7 ኣባላት ስለ ዝቐውም፣ ኣብቲ መላእ ወረዳ ብሓፈሻኡ፣ 4.000 ዝኾኑ ሰባት ይነብሩ ማለት እዩ።

ኣብ ከምዚ'ሉም ዝግመቱ ስድራ-ቤት ግና፣ ንስራሕ ብቑዕ ክበሃል ዝከኣል ጉልበት-ሰብኣይ፣ ውሑድ እዩ። ኣብዚ ንባዕሉ ውሑድ ዝኾነ ፍቕዲ ህዝቢ ድማ፣ ቍጽሪ ሽማግለ/ ደቕ-ኣንስትዮ/ ህጻናት/ ስለ ዝዕብልል፣ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ትርብዒት-ኪ.ሜ. ናይ መላእ'ቲ መሬት፣ ሓደ-ሰብኣይ ንውልቁ እዩ በዓል ምሉእ-ጉልበት ክበሃል ዝከኣል።

ደቕ-ተባዕትዮ ናይዚ ወረዳ መብዛሕትኦም፣ ኣብ ሰዊት-ዕድመኦም ኣብ ኩናት እዮም ሞይቶም። እቶም ነዚ ዘሕዝን ኩነታት ዘኸተሉ ረቛሒታት ድማ ብሓጺሩ ከም ዝጠቐ-ስናዮም ናይ ውሽጢ ግርጭታትን-ናይ ግዳም ረጽምታትን እዮም ዝነበሩ። እቲ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ብዝያዳ ዝሳቐየ ተርእዮ፣ ናይ ራእሲ-ኣሉላ መግዛእቲ እዩ።

ኢጣልያ ኣስመራ ብዝኣተወ፡እዚ ራእስ'ዚ ገና ኣብቲ ቦታ'ቲ ይዘምት-የቃጽልን ነበረ። ብሕልፊ ን "ዛይዳከሉም" ኣባዲምዎ እዩ ለቒቑ።

ዋንነት-መሬት፥ ኣብ ደቓ-ተሰፋ ዝዝውተር ዋንነት «መሬት-ርስቲ»፣ ካብቲ ናይ ሰራየ ኣዝዩ ዝወሓደ እዩ።

ብመሰረት ሕጊ እንዳ'ባ ናይ ሓባር-ዋንነት መሬት ተዓቂቡ፣ ከም'ቲ ኣብ ሓማሴን/ ኣከለ-ጉዛይ/ ዝረኣናዮ ኣገባብ እዩ ዝኸተል።

እንዳ-ዓረዛ'ኳ ንባዕሉም ምስቲ ብእዋኑ ዝነበሮም መዝነት፣ ኣዝዩ ውሑድ ዝኾነ መሬት-ርስቲ እዮም ዝውንኑ።

ምድሪ-ርስቲ ኣብ ዝርከቦም፣ ኣብ ቀረባ ከባቢ-ዓዲ እዮም ዘጋጥሙ። ቅውም-መሰል ካብ ምዃን ርሒቕም ድማ፣ ኣብ ዋንን'ቶም ሰብ-ዴሳ ዝህሉ ናይ ሓድ-ሕድ ምጽ-ውዋር እዩ መሰረት ህላዌኦም።

ብዝሒ ዝሕረስ መሬት/ምስ ዋሕዲ ዝሓርስ ጉልበት እንተድኣ ተመዛዚኑ፣ እዚ ኣገባብ ዋንነት ዘኸትሎ ኣሉታዊ-ሳዕቤን፣ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ግብሪ፥ ብመሰረት ኣዋጅ «ሃጸይ ዳግማይ እያሱ»፣ ጉልቲ ደቓ-ተሰፋ ዝኸፍሎ ዝነበረ ግብሪ፣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

1)- ዓረዛ .... 1.200 ቅርሺ

2)- ኩኖ ረዳእ........................... 600 »

3)- ደምበላስ ታሕታይ .... 600 »

4)- ደቕ ታዕስ .... 600 »

5)- ዛይዳከሉም .... 1.200 »

ጠቕላሊ ድምር 4.200 ቅርሺ-ባጠራ (ማርያ ተረዛ) ኩይኑ፣ ኣብዚ'ውን ብ ፈርጊ ዓለባ-ጡጥ ምኽፋል ይከኣል ነይሩ እዩ።

ፈርግታት በብዓዱ ምስ ተኣልመ፣ ዋጋ ነፍስ-ወከፍ ፈርጊ፣ ብ 2 ቅርሺ ይግምገም።

ውስጠ-ጉልቲ "ማይ ላሓም" ዝኸፍሎ ንጉሳዊ-ግብሪ ምፍላጥ ኣይተኻእለን። ምኽንያቱ ድማ፣ ንዝኾነ ይኹን መዝነት መኳንንቲ-እንዳታት ነጺጉ፣ ባዕሉ ኣብ ማሕፉዳ-ንጉስ እዩ ግብረ-መሬቱ ዘረክብ ዝነበረ።

ወረዳ ደቃ-ምልጋእ ወይ ቆሓይን።

ደቃ-ምልጋእ ወይ ቆሓይን፡ ካብቶም ንመረብ/ምላሽ ዘቕሩመ ሓሙሽተ-ወረዳ፡ እቲ ዝነኣሰን- ስእንን ክፍሊ እዩ።

ፈለግ-መረብ፡ ካብ ምብራቕ- ንምዕራብ ገጹ ክንዓዝ ጸኒሑ፡ ኣብቲ ብሃንደበት ንሰሜናዊ ምዕራብ ኣምሪሑ ክሳብ'ቲ "ወሓዚ-ዑበል" ዝጽምበሮ ቦታ ክምኡይሉ ምስ ቀጸለ ኣብ ዝፈጥሮ ኩርናዕ ዝርከብ ወረዳ እዩ፡ ደቃ-ምልጋእ ወይ ቆሓይን ዝበሃል።

ስለ'ዚ ዶባቱ፡ ብደቡብ-ምዕራብን፡ ባዕሉ ፈለግ መረብ ይውስኖ/ብሰሜን፡ ወሓዚ-ዑበል እዩ ደረቶም/ ብምብራቕ ድማ፡ ብስምምዕ እተገብረ፡ እቲ ንመራጉዝ ኣብ ክልተ ዝኸፍል መስመር እዩ ዶብ ዝኾኖም። ሓደ ካብ'ቶም ክልተ-ክፍሊ፡ ዋንነት ዘርኢ-ማኢ እዩ። እቲ ካልኣይ፡ "በራቑት" ተባሂሉ፡ ዋንነት ናይቲ ኣብዚ ወረዳ ዝቕመ ዘርኢ-ምልጋእ እዩ።

ቆሓይን ማለት (ቋሕ-ዓይኒ)፡ ጽቡቕ ምርኢት ዓይኒ ማለት እዩ። እዚ ስም'ዚ፡ ነቲ ኣብ በረኸቲ ናይዚ ወረዳ ኰይንካ ክተማዕድዎ ዝከኣል ሰማሕ-ጐላጕልን/ዓቢ ተፈጥሮኣዊ ምርኢትን (ፓኖራማ) ንምኽባር ተባሂሉ እዩ።

ካብዚ በረኸት'ዚ፡ ጸፍ ኢሎም ዝረኣዩ ሰንሰለት ኣኽራናት-ጐላጕልን፡ ክሳብ'ቲ ወትሩ ብበረድ እተሸፈነ "በረኸቲ-ሰሜን" እውን ምምዕዳው ይከኣል።

ቆሓይን፡ ጥረት-እንስሳ ንዝምልከት ሃብቲ፡ ኣዝዩ ውሑን እዩ ዓቕሙ።

ብርግጽ ኣብቲ ንመላእ ዓድ-ሓበሻ ዘናወጸ ነዊሕ ፋሉላዊ-ዘመናት፡ እዚ ወረዳ'ዚ እውን ተሃሰዩ እዩ። ኰይኑ ግና፡ ኣብ ርሑቕ እዋናት'ውን እንተኾነ፡ ብሃብትን-ብልጽግናን ኣይፍለጥን ዝነበረ።

ብዛዕባ ጉዳያት-ኤርትራ ንኩልና መምህር ዝኾነ ነፍስ-ሄር «ሽርነር-ሙዚንገር»፡ ነዚ ወረዳ'ዚ ብዝኣክል ገሊጽዎ እዩ። ሎሚ'ውን እንተኾነ፡ 32 ዓመት ብድሕር'ቲ ንሱ እተገደሰሉ እዋናት፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ናይዚ ሃገር፡ ክምኡይሉ ኣይለወጠን።

ዋሕዲ-ማይ ኣብ "በራቑት"፡ ኣብ ዝተረፈ ድማ "ሕድሮ" እተባህለ ሕማም ብዘኸተልዎ ሃይቂ ጥረት-ዘቤት (ከብቲ)፡ ደቅ-ሰብ እዮም ኣብ ኣርዑት ተጀሪኖም ነዚ ሕሱም-መሬት ዝሓርሱ። ምስ ናይ'ዚ ኩሉ ድማ፡ ናይ ቆላ ሕማም-ዓሶ።

ዛጊት፡ ዝለወጠ ነገር የልቦን። ድኸነት ጽዒቑ፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመት ናዕብታትን-ዝረፋን- ብዘኸተልዎ ጠንቂ፡ ስደት ናይቲ ህዝቢ እዩ ቀጺሉ።

ህዝብታት-ቆሓይን ብዘይካ "ዓይላ"፡ ነገደ-ምልጋእ እዮም። ፍቕዶም'ኳ ውሑድ እንተኾነ፡ ኣብ ጥንታዊ ባህሎም ሰሚሮም፡ ንዝጸንሖ ሕግታት-እንዳ'ባ ዓቂቦም፡ ወትሩ ነጻነት-ሓርነቶምን ተኸላኺሎም እዮም።

ብዛዕባ ደቃ-ተስፋ ኣብ ዝዘተናሉ፡"እንዳታት-ዓረዛ" ምስቲ ኣብዚ ወረዳ'ዝን-ኣብ ሰራየ ዝወረርዎ ምድርታት፡ ን "ቆሓይን" እውን ክጽምብሩ ምፍታኖም፡ተመልኪትና ነይርና። ነዚ ግን ቆሓይን፡ ብዝከኣል ተቓሊስዎ እዩ። ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት'ውን እዚ ሃገር'ዚ፡ ብ «ከኔው-መረብ» ብዝመጹ ጸላእቲ ተኸቢቡ ንበይኑ ምስ ተረፈ፡ ነቲ ኣንጻሩ ክምደብ ዝጸንሖ ራስያታት፡ ብረት ኣልዒሉ ብትብዓት እዩ መኪትዎ።

ደቃ-ምልጋእ ወይ ቆሓይን፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ-ምድሪ ይኽፈል፥

1)- "ደቅ-ደማስ"፡ እቲ ህዝቢ ነገደ-ምልጋእ እዩ። ገብረ-ክርስቶስ- ደቅ ምዓሲ-ታዓረ-እንዳ ሳሕላይ- ኣብ ዝበሃሉ ኣርባዕተ-ጉልቲ ተኸፊሎም ይነብሩ።

መሬት-ዓድታትን/ ገብረክርስቶስ/ እንዳ-ሞዓሲ/ እንዳ-ሳሕላይ/፡ ኣብ ወረዳ-ቆሓይን ይርከቡ። መሬት ዓድታትን ተዓረ ግን፡ ሓደ ክፍሉ ኣብ ቆሓይን፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ መራጉዝ እዩም።

ነፍስ-ወከፍ ጉልቲ፡ «በዓል ቀሚሽ» ብዝበሃል ሹም እዩ ዝመሓደር ነይሩ።

2)- "ደቅ ገንጸይ"፥ ብሓደ ጉልቲ ዝቖመ ዓቢ ምድሪ እዩ። ክፋሉ ኣብ ቆሓይን፡እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ መራጉዝ እዩ ዝኣቱ። ኣብዚ ዝነብር ህዝቢ፡ ዘርኢ-ምልጋእ እዩ። ብ «በዓል ቀሚሽ» እውን ይመሓደር።

3)- "ዓይላ"፥ ዋንነት ደቅ-ምልጋእ'ኳ እንተኾነ፡ መበቆል ናይቶም ኣብዚ ዝነብሩ ህዝቢ፡ካብቶም ካልኦት ህዝብታት ናይዚ ወረዳ እተፈለየ እዩ። ኑቲ ድሮ ኣብ ጉንደት-እንጋንእ- ዝረአናዮ ኣገባብ ብዝመስል፡ ኣብ ኣዝዩ ሕሉፍ እዋን ብዝመጹ ባእታታት ዝቆመ ወታሃደራዊ-መደበር እዩ ፈርዩን-ሰሲኑን። ኣብ ዝሰዓበ እዋናት፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር "ደብረ-ማርያም" ክመሓደርጀኒሉ፡ ምስ ጊዜ እናለወጠ፡ ናይ ባዕሉ ጉልቲ ኮይኑ ብሓደ ሹም ይመሓደር።

4)- "እንዳ ኣቡና-ዮናስ" ወይ ክምቲ ብዘልማድ፡ እንዳ-እኒናስ፥ ሃጸይ ዳዊት-ሳልሳይ (ዮናግ-ሰገድ ወይ ልብና-ድንግል እውን ይበሃል እዩ 1506-1540 ዓ.ም.) እዩ 30 ኣብ ቆሓይን ዝርከቡ ዓድታት ጠርኒፉ፡ ነዚ ግዙፍ ጉልቲ መስሪቱ፡ ንምምሕዳሩ ድማ ነዚ ደብሪ ኣረኪብዎ።

እዚ ከም «ጉልቲ-ፈላሲ» እውን ዝፍለጥ መሬት፡ ኣብቶም ኣስዒብና እንጠቕሶም ዓድታት ተወሲኑ፡ ነገደ-ምልጋእ ዝኾኑ ህዝብታት እዮም ዝነብርዎ።

5)- "ደብረ-ማርያም"፥ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝርከቡ ጥንታውን-ክቡርን ቤት መቕደስ ብምዃኑ፡ እተፈላለዩ ሃጸያት ህያባት ክበርክትሉን-ክዕቅብዎን ጀኒሖም። ሃጸይ-ዘርአ ያቆብ እዩ ድማ፡ ብድሕር ነዊሕ ናይ ተንጽሎ ዘመናት፡ ንኢትዮጵያ ምስ ምዕራባውያን-ሃገራት ንምርኻብ፡ ንእባላት ናይዚ ደብሪ ከም ወኪላት መሪጹ፡ ናብቲ ኣብ «ፈረንጺ» (ኢጣልያ) « *ብዛዕባ ዕርቅን-ጥርናፈ ሃይማኖታውያን* » ዘርእስቱ ጉባኤ ብ 1434-1468 ዓ.ም. ብምልኣኹ፡ እቲ ዝዓበየ ህያብ ነዚ ደብሪ ኣበርኪትሉ።

ሃጸይ ዘርአ-ያቆብ ኣብ ንእስነቱ፡ ካብ ናይ እስላም-ወራር ክምልጥ፡ ኣብዚ ደብር'ዚ መሕብእን-ዑቕባን ስለ ዝረኸበ፡ከም ምስጋና ንደብረ-ማርያም ካብ ዘበርከተሉ ህያባት፥

ሀ)- ምድሪ ዓይላ ከም ጉልቲ -

ለ)- እቲ ብፍላይ ከም ደብረ-ማርያም ዝፍለጥ ምድርን/ ኣብ ከባብታት ናይቲ ደብሪ ዝርከቡ ዓሰርተው-ክልተ ዓድታትን -

ሐ)- ካልእ መሬት ዓድታትን ኣብ ቆሓይን/ ዓረዛ/ ማይ-ጻዕዳ/ ኣብ ሽረ-ኣድያቦ እውን ከይተረፈ፡ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

እዚ ህያባት'ዚ፡ ክሳብ ዘመነ ራእሲ-ወልደስላሴ (1809-1816 ዓ.ም.) ከምኡይሉ ምስ ጸንሐ፡ እዚ ራእሲ'ዚ እዩ ንመብዛሕትኡ'ዚ ንብረት ቀንጢጥዎ። ብዝኾነ ግና (ኣብ ታሪኻውን-ማሕበራውን ፍሉይነት ናይዚ ወረዳ እውን ከም ዝምስክር) ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን፡ ጐይትነት ናይቲ ደብሪ ኣብ ልዕል'ዚ «ምድሪ ደብረ-ማርያም» እተባህለ መሬት፡ ዘቋረጸሉ እዋን ኣይዝከርን።

ብዘይካ'ዚ'ውን ኣብ ሕሉፍ ዘመናት፡ ኣብ ዋንነ ዘርኢ-ምልጋእ ብዘጋጠሙ ናይ ሓድሕድ ናዕብታት፡ ደቅ-ደማስ/ ደቅ ግንጸይ/ እተባህሉ ክልተ-ጨንፈር ከም እተ-ነጸሉ ይዝከር። ኣብቲ ዘመን'ቲ፡ ምድሪ ናይዚ ቅዱስ-ደብሪ እዩ ነቶም እተሰነፉን-ድኹማት- ሰብ ሰላም ዝኾኑን፡ ወገኖም ብዘየገድስ፡ ከም መሬት ዑቕባ ከዐንግሎም ጀኒሉ።

እቲ ኣብ ካልእ ቦታ ኣብ ዝኸፍእ መልክዑ ክስግር ዝኽእል ዝነበረ ጽልእን-ምንዕ-ዓቕን፡ ኣብዚ ቅዱስ/ሻራ-ዘይነበሮን ቦታ እዩ ዝዕረቕን-እቲ ህዝቢ ድማ ሰላም ዝረከ-ብን ነይሩ።

እዚ ሎም'ውን በዚ ደብር'ዚ ዝመሓደር ምድሪ፡ ሓባራዊ ዋንነት ናይ መላእ ደቅ-ምልጋእ ምዃኑ ይፍለጥ። እቲ ደብሪ ዝነበሮ ስልጣን፡ ሞራላውን-መንፈሳውን ሓላፍነት እዩ ዝነበረ።

ደቅ-ምልጋእ፡ ብዘይካ'ዚ ምድርታት'ዚ፡ መበቆሎም'ኳ ክፍለጥ እንተዘይተኻእለ፡ ብደቅ ምልጋእ እተሃዘቡ፡ ዓድ-ሃንጸ ታሕታይ/ ዓድ ኮነና/ እተባህሉ ክልተ ውስጠ-ጉልቲ እውን ይርከብዎ።

እቶም ኣብ ኣርባዕቲኦም ጉልቲ ደቅ-ደማስ ዝርከቡ ህዝብታት፡ ብናይ ቀረባ ዝምድና ኰን ብፕቕሚ/ ከምኡ'ውን ኣብ መሬት-መራጉዝ ምስ ውሰጠ-ጉልቲ ማይ-ላሓም ንፍርቂ/ ብዘለዎም ዋንነትን፡ ዝያዳ ምትሕብባር ዘዘውትሩ ኣሃዱታት እዮም። ብዝኾነ እውን፡ ካብቶም ካልኦት ነገደ-ምልጋእ ዝበሃሉ ዓድታት፡ ይፍለዩ እዮም።

ኣብቲ በብምድሩን-ጉልቲን-ዓዱን- ኣኸቲሉ ዝቐርብ ፍቕዲ'ኒ ከጥቀስ እንተኾነ፡ ኣብዚ ወረዳ'ዚ(ብሕልፊ ከም ኣብ ደቅ-ደማስ) ዝርከቡ ጉልታት ብሓባር ዝውንንዎም መሬት-ዓድታትን፡ ውሑዳት ኣይኰኑን።

ኣብ ዘመን ያዕ-ያዕ ራእሲታት፡ ደቅ-ምልጋእ ኣብ እተፈላለየ እዋን፡ ብባዕዳውያን ሹም-ነጋሪት ይመሓደር ነይሩ እዩ። "በረኸ ማይ-መንዐ" ኣብ እተባህለ ዓዲ እዩ'ውን መናበሪኦም ዝነበረ። ኣብ ከባብ'ዚ ዓዲ ብዘመኑ፡ ካብ ምሉእ መረብ/ምላሽ ብሓፈሻኡ ብፍላይ ግና ካብ ሰራየ-ቆሓይን፡ ካብ ሽረ- ኣድያቦ እውን ከይተረፈ፡ ህዝብታት ዝውሕዝዎ "ዕዳጋ-ቀዳም" ይውዕል ነበረ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣድላይ ኰይኑ ክጥቀስ ዝግብኦ፡ እቲ ማዙፍ-ጉልቲ ዓድ-ሞንጎንቲ(ሰራየ)፡ ሓድ-ሓደ እዋን ንቶም ዘርኢ-ምልጋእ ዝኾኑ «በራቺት» ብዝብል ናይ ሓባር መጸዋዕታ ዝፍለጡ ኣብ መራጉዝ ዝርከቡ ዓድታት፡ ይብጽሑኒ ኢሉ ይምጉቶም እዩ። በራቺት ማለት፡ ምብራቕ ወይ ወጋሕታ ማለት እዩ። ብግብሪ እውን እዚ ምድር'ዚ፡ ብምብራቓዊ-ወገን ቆሓይን እዩ ዝርከብ።

ማይ-ጻዕዳ እውን ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ካልእ ክፍለ-ወገን፡ ከምኡ ዝኣመሰለ ምጉት የልዕል እዩ። እዚ ግን፡ ብዘይካ ብረጽምን-ደምን ዝመጸ ልሕሉሕ-ዕብለላ፡ ካልእ መሰረት ዘይርከቦ መጉት እዩ።

****

ምድሪ	ጉልቲ	ስም ዓድታት በብከፍሎም
ደቅ ደማስ	ገብረክርስቶስ	1)-(**)ገዛ ደጋፌ/ 2)-(**)ምጽጋብ'ሽላ/ 3)-(**)ዓድ - በዛ/ 4)-(**)ዓድ - ክርክሬ/ 5)-(**)እንዳ - ሚኪኤል/ 6)-(**)ዓድ - ጉቡዕ/7)-(*)ዓድ ጨጉኖ/ 8)-(**)ዓድ ብላዕ-ብላዕ/ 9)-(**)ዓድ'ናሲሒ/ 10)-(**)ዓድ ቆዶ/11)-(**)ዓድ ጨቕምጠ/ 12)-(**)ዓድ ዳግና/ 13)-(**)ዓድ ገረምባ/ 14)-(**)ዓድ ምሻቦ።
	እንዳ ሞዓሲ	1)-(**)ዓድ ዋላ/ 2)-(**)ገዛ-ሸኽ/ 3)-(*)ዓድ ቀፉ/ 4)-(**)ዓድ ኣብየንእም/ 5)-(**)ዓድ ክሳድ/ 6)-(**)ዓድ ደቅ ኣብዎም/ 7)-(*)ዓድ ቆዳዳ/ 8)-(*)ዓድ-ቁሸት/ 9)-(**)ዓድ ካፍለይ/ 10)-(**)ዓድ-ባርያ/ 11)-(**)ዓድ-እርግናይ/ 12)-(**)ዓድ ቆሓጽየን።
	ታዓረ	አብ ቀሓይን ዝርከቡ ዓድታት፥ 1)-(**)ዓድ ሃንጸ ላዕላይ/ 2)-(*)ሶሓ/ 3)-ደቕደቕናቦ/ 4)-(**)ዓድ ቅዱሳን/ 5)-(*)ዳብረ/ 6)-(**)ዓድ ሕዱግ/ 7)-(**)ዓድ ሾሓ/ 8)-(**)ዓድ ማይ ሓፆ/ 9)-(**)ዓድ ሳረንታ/ 10)-(**)ዓድ ቀጢና፥ ዓድ ዓጺዳ/ ዓዲ እቢጋት/ ዓድ በረኸ/ ኣብ ዝበሃሉ ሰለስተ-ገዛ ይኽፈል። 11)-(**)ዓድ ዓሚቖ/ 12)-(**)ዓድ - ቀያቶ/ 13)-(**)ዓድ ቁልዖ። አብ በረቼት(መረጉዝ) ዝርከቡ ዓድታት፥ 1)-(*)ተርቀ/2)-(**)ታሕታይ ተርቀ/3)-(**)ዓድ እንበሳ/ 4)-(**)ዓድ ሉዓ/ 5)-(**)ጸሊም/ 6)-(**)ቆና'ኽስተን/ 7)-(**)ዓድ ሹም ዓንደም/ 8)-(**)ኣተረጸር/ 9)-(**)ዓድ ሶኸፉ/ 10)-(**)ዓድ - እስላም/ 11)-(**)ዓድ - ሞኸምብያ/ 12)-(**)ጉዓር/13)-(**)ዓድ ጉልጉል ታሕታይ 14)-(**)ዓድ ጉልጉል ላዕላይ/ 15-(**)ከሊታ።
	እንዳ ሳሕላይ	1)-(**)ዓድ ጸጸር/ 2)-(**)ዓድ ማይ ጨጨው/ 3)-(**)ዓድ ሀኖክ/ 4)-(*)ዓድ ጊዮርጊስ/ 5)-(**)ዓድ ቆላቁል/ 6)-(**)በረኽ ማይ መንዐ/7)-(**)ዓድ - መንዐ/ 8)-(**)ምጸእ - ሽንፋእ/ 9)-(**)ዓድ-ገንዘብ/10)-(**)ዓድ ማይ-ጉርየ 11)-(**)ዓድ ጉዓው።
ደቅ ማንጻይ	ሓደ ጉልቲ እዩ	አብ ቀሓይን፥ 1)-(*)መኸዳ/ 2)-(**)ዓድ ናላ/3)-(**)ክሳድ

		ጉዓ/ 4)-(*)ዓድ -መሮኒ/ 5)-(*)ዓድ -ሓጅዋ/ 6)-(**)ዓድ ቃለበት/ 7)-(**)ዓድ'ቕበጹ/ 8)-(*)ዓድ ጉርዲ/ 9)-(**)ዓድ ሽመት እንበሳ10)-(**)ዓድ ዘርኣይ/ 11)-(**)ዓድ ሻሓች/ 12)-(**)ዓድ ነዊሕ እምኒ/ 13)-(**)ዓድ ዳዕሮ/14)-(**)ዓድ ባዕልያይ/15)-(**)ዓድጉልጉል-ታሕታይ 16)-(**)ዓድ ጉልጉል ላዕላይ/ 17)-(**)ዓድ ምርጢ/ 18)-መዓጉ/ 19)-(*)ዓድ ሰለፋ/ 20)-ዓድ ርግምቲ/ 21)-(**)ዓድ ጭራ/ 22)-(*)ዓድ ቦካ/ 23)-(*)ዓድ ሹም ኣሉ/24)-(*)ዓድ መሳግር 25)-(**)ዓድ ማይ ቀባሕ/ 26)-(**)ዓድ ኣርዳእ ኣርድእ/ 27)-(**)ዓድ ዝና/28)-(**)ዓድ ገድላ 29)-(**)ኣሰራት/ 30)-ዓድ ጉልቦ፣ ዝዓበየ ዓድን-ርእሰ ከተማ ናይዚ ጉልትን እዩ። ኣብ በራቒት (መራጉዝ)፥ 1)-(**)ቆዶባውር/ 2)-(*)ዓድ ጉዳእ/ 3)-(*)ዓድ ብጭቕ/ 4)-(**)ዓድ ጉሰዐ/5)-(**)ወቃቢት 6)-(**)ንእሽቶ ወቃቢት/ 7)-(*)ኣጻልጉዊ ወይ ኣጨልጉዊ/ 8)-(*)ዓድ ዓንዱ።
ዓይላ	ሓደ ጉልቲ እዩ	1)-(**)ገዛ ኣብዶ/ 2)-(**)ዋዕላ ኣድረሶም/ 3)-(**)ገዛ-ዓምደ/ 4)-(**)ዓድ-ባረሶ/ 5)-(**)ገዛ ንዓልም/ 6)-(**)ዓድ ጋረ/ 7)-(**)ዓድ ሹም-ዘርኣት/8)-(*)እምባ ዓይላ፣ ቤተ-ክርስትያን ምስ ውሑዳት ኣባይቲ-ካህናት ይርከባዎ።
እንዳ ኣቡና ዮናስ ወይ እንዳ'እኒናስ	ጉልቲ ፈላሲ ወይ ጉልቲ ደብሪ	1)-(*)እንዳ ኣቡና ዮናስ። ቤተ-ክርስትያን/ ውሑዳት ኣባይቲ ካህናትን ይርከባዎ። 2)-(*)ዓድ ካህናት/ 3)-(**)ዓድ ቦቴቲ/ 4)-(**)ዓድ ዕንቋር/ 5)-(**)ዓድ ኣገራ/6)-(*)ዓድ መርሖ/ 7)-(**)ዓድ ምእምን።
ደብሪ ማርያም	መዕቆቢ ምድሪ ናይ መላእ ደቂ-ምሊጋእ ብሓባር እዩ።	1)-(*)ደብሪ-ማርያም። ዋና ቤት-መቕደስ ደቂ-ምሊጋእ ዝበሃል ቤተ-ክርስትያን ይርከቦ። 2)-(*)ዓድ መቖ/ 3)-(*)ዓድ ሕዱግ/ 4)-(*)ዓድ ሀሌ/ 5)-(*)ዓድ መሓሮ ክርስቶስ/ 6)-(*)ዓድ መደባይ/ 7)-(*)ዳዕሮ ማሕበራ።

ጉልቲ-ቆሓይን ብሓባር ዝውንንዎም ዓድታት።

(*) ማይ ሓዛ፥ ክልተ ጉዉቲ እዮም ሓደ ዓዲ ዝበሃሉ።

(*) ዓድ ክልተ፥ ብሓባርን ነፍስ-ወከፎም ድማ ንፍርቂ ኣብ ጉልታት ጉብረክርስቶስ -ግንጻይ እዮም ዝጽምበሩ።

(**) ምኢጋር ጸብሓ፥ ሰብ ዘይንብሮ ዓዲ እዩ። ንጉልታት ተዓረ/ ሳሕላይ/ ንፍርቂ ይብጽሖም። ብዘይካ'ዚ ኣብ "ጉልቲ እንዳ-ሞዓሲ" ዝጽምበሩ ሓደ ሓደ ኣባይቲ እውን ይውንን እዩ።

ኮሕሊ ዝብኢ፥ ፍርቂ ን "ግንጻይ" ፍርቂ ድማ ን "ሳሕላይ" ይብጽሖም።

(*) ዝባን፥ " " " " " "

(**) ዓድ ዕንቋይ፥ እተለቐቐ ዓዲ እዩ። ኩይኑ ግና፥ ፍርቂ ን ሞዓሲ ፍርቂ ድማ ን ሳሕላይ ይብጽሖም።

(*) እምባ'ዛረብ፥ ናይ መላእ ደቂ-ምልጋእ ብሓባር እዩ።

ኣብ መራጉዝ ዝርከቡ ዓድታት።

ደቂ-ደማስ ብኹሎም ምስ ውስጠ-ጉልቲ ማይ-ሓሓም ብሓባር-ንፍርቅን ዝውንንዎም ዓድታት፥

1)-(**)ዓድ ሃንጸ-መራጉዝ/2)-(**)ገዛ ደቂ-ተስፋ/ 3)-(*)ዓድ-ጋባ/ 4)-(*)ኣጣፍናጦ/5)-(*)ገዛ ባሕርጽዮን/ 6)-(*)ዓድ ሹም-እከለ/ 7)-(**)ዓድ ባረንቲ/ 8)-(*)ዓድ ምኽዳ።

ውስጠ-ጉልቲ።

1)- (**)ዓድ ሃንጸ ታሕታይ።

2)- (**)ዓድ ኲናኖ።

ተመልከት፥ ብዙሓት ካብ ነዊሕ-እዋን እተለቐቑ ዓድታት፥ ኣይተጠቕሱን።

ብመጽናዕቲ ዝቐርቡ ጸብጻብ።

ኣብ መፈጸምታ 1892 ዓ.ም. ፍቕዲ ናይቶም ኣብ መላእ'ዚ ወረዳ ይነብሩ ዝበሃሉ ሰድራ-ቤት ብግምት፥ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ፥

ደቅ ደማስ	-ገብረክርስቶስ		20	ስድራ-ቤት
	-እንዳ ሞዓሲ		21	ስድራ-ቤት
	- ተዓረ	ቆሓይን	84	"
		መራጉዝ	21	"
	-ሳሕላይ		27	"
-ደቅ ማንጻይ	ኣብ ቆሓይን		103	"
	ኣብ መራጉዝ		20	"
-ዓይላ			10	"

ጠቕላሊ ድምር ....306 ስድራ-ቤት

ኣብዚ ፈቒድ'ዚ ግን፡ እቶም ኣብ«ደብረ-ማርያም» ኮነ/ ኣብ «እንዳ ኣቡና ዮናስ» ዝነብሩ ስድራታት እውን ከድመሩ ምተገብአ።

ስለዚ ብጠቕላሊ 400 ስድራ ምህላዎም እንተዝግመት፡ ነፍስ-ወከፍ ስድራ ድማ ብ 6-7 ኣባላት ዝቖመ ምስ ዝኸውን፡ ፍቕዲ ናይቲ ኣብዚ ወረዳ'ዚ ዝነብር ህዝቢ ብምልኡ ካብ 2.500 ዜጋ፡ ኣይምዛየደን። እዚ ብዘይካ'ቶም ኣብ ካልእ ቦታ ናይዚ ሃገር ኮነ- ብስራሕ ናብ ወጻኢ እተሰደዱ ዜጋታት ዝወሃብ ፍቕዲ እዩ።

ብመላእ ደቃ-ምልጋእ/ ዋንነቲን፡ ብመሰረት «እዋጅ ሃጺ ዳግማይ-እያሱ» ከኸፍሎ ዝጸንሐ ግብረ-መሬት ብጠቕላሊ፡ 200 ቅርሺ-ባጤራ ወይ 100 ፈርጊ፡ ከም ምርጫ ናይቲ ንጉስ እዩ ዝነበረ።

ሹም-ጉልትን/ ሹም-ዓድን/ ዓይላ(ዓይላ፡ ካብ ደብረ-ማርያም ተነጺሉ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ጉልቲ ክይኮነ እንከሎ)- ምድሪ ደብሪ ማርያም፡ ከምኡ'ውን ናይቶም እተጠቕሱ ክልተ ውስጠ-ጉልቲ፡ ኣብቲ ኣእዋም-ዳዕሮ ዘጽልልዎ ጉላጉል፡ ንባይቶ ተኣኪቦም እዮም ድማ፡ ምቅሊት ግብረ-ንጉስ በብጉልቲን-ዓዱን፡ ዝኸፍሉ ነይሮም።

ዓድታት "ጉልቲ-ፈላሲ"፡ ን «ደብረ እንዳ ኣቡና ዮናስ» እዮም ዝግብሩ ነይሮም።

ኣብ ናይ ሰላም እዋናት፡ እቶም ኣብ መራጉዝ (በራቒት) ዝርከቡ ግንከ ዋንነት ደቃ-ምልጋእ ዝኾኑ ዓድታት፡ ምስ ጉልቶም ሓቢሮም እዮም ምቅሊት ግብረ-መሬቶም ዘማልኡ ነይሮም።

ንመንገደይና ይኹን-ቀውም ሰራዊት ዝወሃብ "ፈሰስ" ግን፡ በብውልቆም እዮም ዘቕርቡ።

ሕጊ ንዝምልከት ጉዳያት፡ እዚ ወረዳ'ዚ እውን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ራእስታት ኣትዩ፡ ወታሃደራዊ-ኣዛዚ ምስ ተገብረሉ፡ ላዕለዋይ-ቤት ፍርዲ ብሹም-ጉልታት ቆይሙ ብእቦ-መንበርነት ሹም-ነጋሪት እዩ ዝምራሕ ነይሩ።

ሹም-ነጋሪት፡ "*በረኸ ማይ-መንዐ*" ኣብ እተባህለ ዓዲ እዩ መናበሪኡ ዝነበረ።

****

ካልኣይ ክፋል

«ናይ ታሪኽ መዘክራት»

መቕድም።

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፥እቲ ብደቡብ ብመስመር ወሓይዛት መረብ/በለሳ-ማይ-ሙና ዝውሰን "ሰሜናዊ ክፍሊ ክበሳታት ኢትዮጵያ" እዝዩ ሓራ ዝኾነ ውሽጣዊ ኣወዳድባን/ ኣባታዊ-ስርዓት/ ይኽተል ምንባሩን ተዓዚብና።

እዚ ስርዓት'ዚ ሓድሓደ እዋናት፡ ኣብ ናይ ፋሉልነት ሓደጋን- ካብኡ ዝበኣሰ ድማ፡ ኣብ ደም እተባጽሐ ውሽጣዊ-ረጽምታት ከም ዘኸተለ'ውን ተገንዚብና። እዚ ንውሱን ጊዜ እተጋህደ ምስሕሓባት ግን፡ ንሽበራውያን ጐረባብቲ መሬት ክወሩን-ክመልኩን-ክራስዩን እኳ እንተፈቐደ፡ ፍቕሪ-ነጻነት ወትሩ ዓብላሊ ኰይኑ፡ እቲ ህዝቢ ንዝነብረ ዘይምቅዳው ዓሪቑ፡ ካብ እርዑት ጭኮና ተላቒቑ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ሓርነቱ እዩ ተመሊሱ።

ኣብ'ዞም ስዒቦም ዝቐርቡ ኣምራት (ኣንባቢ እውን ክግንዘቦ ከም ዝኽእል)፡ እቲ ዘይምቅዳው፡ እንታይ እዩ መንቀሊኡ ? እተፈጸሙ ናይ ዕርቂ ኣጋጣምታት፡ ከመይ ዝበሉ እዮም ? ኣብዚ ዘመን'ዚ እተኻየዱ ኣገደስቲ ወይ ታሪኻውያን ዝበሃሉ ፍጻሚታትከ፡ ንሓድሕዶም ከመይሎም ይተኣሳሰሩ ? ዝኣመሰሉ ሕቶታት መብርሂ ክረኽቡ ምእንቲ እዮም ተገሊጾም ዘለው።

እቲ ኣብዚ ክባቢታት'ዚ ኣብ ሞንጎ እተፈላለዩ እንዳ-ነገዳትን ዘሎ ምክፍፋል፡ ብታሪኽ ጠሚርካ ክከም እተፈጸምዎ ባእታ-ስርዒትን ምቕራብ፡ ዘይከኣል እዩ። እንተዝኽውን እውን፡ እቲ ታሪኽ እዝዩ እተጸምቈን- ሓፈሻዊ መስመራት ዝኽተል ታሪኽን- ኰይኑ ምቐረበ።

ሓደ ዝባህረእም ዓበይትን- ንኡሳን ነገራት ምምዛዛን እንተዝፍቀድ፡ ብተመሳሳሊ ታሪኽ ኢጣልያ'ውን ኣብ "ዘመነ-ኣሃዱታት" ንነፍስ-ወከፍ ኣሃዱ፡ ወይ ኰይኑ-ተረፉ ድማ ናይቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ኣሃዱታት ክስጽር ዝኽእል ልክዕን-ደቂቕን ታሪኽ ምቕራብ፡ ዘይከኣል እዩ።

ስለዚ እዩ'ውን እቲ ኣብዚ ቀሪቡ ዘሎ ታሪኽ፡ ኣብ ብዙሕ ወገናት ምኽፉሉ ግዲታ ዝኸውን።

እቲ ሰዒቡ ዝጥቀስ ምክፍፋል፡ ንቶም ኣብ ታሪኻውያን ፍጻሚታት መረብ/ምላሽ ዓቢ-ተራ እተጻወቱ እንዳታት ይምልከት። ማለት ይሓድ-ይብዛሕ ነፍስ-ወከፍ "እንዳ" ዝህልዎ ኣገዳስነት እዩ ን ምጣነ-ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ዝመርሖ።

ኣንባቢ ኣኹቲሉ ክግንዘቦ ከም ዝኽእል፥ቅድሚ ኩሉን- ብንውሕ ዝበለ ኣገባብን፡ ብዛዕባ ኣብ ሓማሴን ዝነበረ ሓያል «እንዳ-ተስፋጽዮን» እዩ ተዘሪቡ ዘሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ እዚ እንዳ'ዚ ንነዊሕ እዋን ንምሉእ ምድረ-ባሕሪ/ ኪኖኡን/ ዝገዝእ ኰይኑ፡ ዓንድ-ማእከል ምሉእ ታሪኽ ናይዚ ዘባ'ዚ ብምዃኑ እዩ።

እቲ ሰዒቡ ክከም ኣገዳስነቱ ብዛዕባ'ቶም ካልኣት-እንዳታት ዝወሃብ ሓበረታ፡ ምስቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ እንዳ-ተስፋጽዮን ስለ ዝተኣሳሰር፡ ብሕጽር ዝበለ መልክዕ እዩ ቀሪቡ ዘሎ። ኮታስ፡ ግብራዊ-ጥቕሚ ናይዚ መጽናዕቲ'ዚ ንምርዳእ፡ ንኣብነት ኣብ ቍ.(8) ብዛዕባ'ቲ ምጡን-ኣገዳስነት ዘለዎ "እንዳ ሹም ጉልቲ-ሰፍኣ"፡ ሓጺር መግለጺ እዩ ተዋሂብዎ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኣብቲ ብፍላይ ምሳኡ ቀሪቡ ዘሎ ምልክታ ክግለጽ እዩ።

ኣብ መፈጸምታ ናይዚ ዕዮ፡ ብዛዕባ መበቆል ህዝብታት ሓባብ- ብንዓምር- ከም ጥብቆ ቀሪቡ'ሎ። እዚ ንድህሰሳ እተገብረ ፈተን፡ ነቲ ኣብ ቀዳማይ-ትዕዝብቲ መግለጺ ዘይርከቦ ተመሳሳልነት- ዝምድናን- እተፈላለዩ እንዳ/ ነገድ/ ቀቢላታት/ ህዝቢ ኤርትራ ንምርዳእን- በዚ ኣቢሉ'ውን እቶም ንሓዋሩ ምስጢር ኰይኖም ክይተርፉ እተባህሉ ብዙሓት ፍጻሚታት ንምግላጽ እዩ እቲ ዕላማ።

ኣብ እተጠቕሰ ጥብቆ፡ ብዛዕባ "እንዳ ደጊያት-ገብረመድህን በዓል ከኸሰዓ" እውን ብሓጺሩ መግለጺ ተዋሂብዎ ኣሎ። "ከኸሰዓ" እተባህለ ወረዳ፡ ፈለግ-መረብ ሓሊፍካ ኣብ መጀመርያ ዝርከብ ናይ ትግራይ ክፍሊ እዩ። ን መረብ/ምላሽ ኣብ ዝምልከት

ጽሑፍ'ከ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ናይ ሓደ ኣብ ጸጋማይ-ወገን ፈለግ መረብ ዝነብር ህዝቢ፥ ስለምንታይ ቦታ ተዋሂብዎ ? ኣብቲ ንባብ ንባዕሉ መረዳእታ ዝርከቦ እዩ።

እቲ ንፍስ-ወከፍ " እንዳ " ዝምልከት መበቆል፡ ከምቲ ሆብኣዊ-ባህሊ ዝጽብጽቦ ካብ ኣዝዩ ርሑቕ-ዘመናት እዩ ተዘኪሩ ዘሎ።

"ኣቢታዊ-ስርዓት" ኣብ ዝኸተሉ ሕብረተ-ሰብ ዝህሉ ማሕበራዊ-ርክባት፡ኣብ ናይ ደም-ምትእስሳርን/ ዝምድናን/ ስለ ዝምርኮስ፡ ጭብጢ ናይቲ ነቢሩ ዝበሃል ፍቕዲ-ወለዶ ሓቅነቱ ብዘየገድስ፡ ብህዝቢ ስለ ዝእመን፡ ዓቢ ኣገዳስነት ከወሃቦ ዝግባእ ረቛሒ እዩ።

ፖሊቲካውያን-መራሕቲ ናይዚ ዓድ'ውን ካዝንግዕምን- ካብሩ ክቕንስሉን ኣይግባእን።

ዝኾነ ይኹን ኣድላይ ዘይተባህለ ወይ ውሕስነት ኣይህብን (ንኢጣልያ) ዝበልናዮ መራሒ ወደ'ባት፡ ብኣልእ ምትካእ ዝከኣል እዩ። ብዝኾነ ግና፡ እቲ ንዓኡ ክትክእ ዝመረጽናዮ መራሒ፡ ብዘይካ ናትና(ኢጣልያ) እምነትን-ተቐባልነትን፡ ኣባል ናይቲ እንዳ እውን ክኸውን ይግባእ። ናይ ትውልዲ-ዝምድና ምስ ዝህሉ እዩ እቲ ተደላይ-ኩነት ተማሊኡ ክበሃል ዝከኣል። እዚ ትዕዝብት'ዚ ምስ ዝዝንጋዕ ግና፡ ብምልኡ'ቲ ነገድ ስለ ዝቕየም፡ ብዘይፍወስ መንገዲ ጽልኢ ክተክል ዝኽእል ጠንቂ ይኸውን።

<u>ኣብዚ ታሪኻዊ-መዘክራት ንኣንባቢ ቀሪቦምሉ ዘለው ሓበሬታ፡ ክሳብ እዋናት ጽድያ 1893 ዓ.ም. ንዘሎ ዘመናት ይምልከቱ።</u>

እቲ ኣቀራርባ ንባዕሉ ሒዝዎ ዘሎ ኣገባብ፡ ተደጋጋሚ መልክዓት'ኳ እንተሓዘ፡ን ፍሉይ ኣርእስትን- ውልቃውያን መራሕትን ምምልካት ኣድላዩ ኣብ እተባህለሉ እዋናት፡ ኣብ ክንዲ ንምሉእ እዚ ጽሑፍ ምግንጻል፡ ብቐሊሉ ናብ ዘድልየካ ኣርእስቲ ዘስግር መንገዲ እዩ ተደልዩ።

ኮታስ ዓቢ ናይ ስነ-ጽሑፍ ዕዮ ካብ ምኳን ርሒቑ (ዘድሊ ምስንዳው ኰነ- ናይ ስነ ጽሑፍ ዝምባለ ብዘይምህላወይ)፡ ብርእይቶይ- ትምኒተይን፡ ግብራዊ-ጥቕሚ ከማልእ ተባሂሉ እዩ ቀሪቡ ዘሎ።

****

ቅርጺ።

<u>ብዛዕባ' ቶም ኣብ መረብ/ምላሽ ኣገደስቲ ዝበሃሉ እንዳ- ህዝብታትን።</u>

1ይ - ሓማሴን

ፍቕዲ ወሰዶ እንዳ-ተስፋጽዮን፣ ተጻረርቲ እንዳታት ጸዓዘጋ-ሃዘጋ

2ይ - ድምበዛን

እንዳ ደጊያት-ሓድጉ ኣንበሳ

3ይ - ካርነሽም

እንዳ ደጊያት-ስባሁቱ

4ይ - ኣከለ-ጉዛይ

እንዳ ደጊያት-ባህታ ሓጐስ

5ይ - ሰራየ

በላምበራስ ተስፋ-ማርያም ዝውልደሎም እንዳ ሹም-ጉልቲ

6ይ - ደቃ-ተስፋ

እንዳታት-ዓረዛ/ በላምበራስ-ክፍለየሱስ/ ቀኝ ኣዝማቲ ካፊይ/

7ይ - ጉንደት

እንዳ ሹም ጉልታት

8ይ - ሰፍሓ

እንዳ ሹም ጉልታት

****

ጥብቆ፥

ሀ)- ሓባብ/ ዓድ ሸኽ/።

ለ)- ብንዓምር/ኣብ ምብራቕ-ሱዳን ዝርከቡ ህዝብታት ግእዝ።

ሐ)- እንዳ ደጊያት-ገብረመድህን በዓል ከኸስዓ።

I.

ሓማሴን ወይ ሓማሰን።

1ይ- ፍቕዲ ወለዶ እንዳ-ተስፋጽዮን/ ተጻረርቲ እንዳታት «ጸዓዘጋ-ሃዘጋን» ።

ኣብ መእተዊ እዚ ጽሑፍ'ዚ ከም እተጠቕሰ፡ ቱርካውያን ባጽዕ ምስ ወረሩን- ስልጣን ናይባት እውን ብኣእም ብቱርኪ ተደጊፉ እግሪ ምስ ተኸለን- ሕጋውነት ባሕረ-ነጋስ-ታት ኣብቂዑ፡ መረብ/ምላሽ መስፍናዊ-ስርዓት ዝመስል ቅርጺ ሒዙ፡ ብቶም ሓያላት «እንዳ- ጸዓዘጋ» እዩ ክመሓደር ጸኒሑ።

ኣብ ሕሉፍ-ዘመናት፡ካብ'ዚ እንዳ'ዚ እዮም'ውን ብቐዳምነት፡ ባሕረ-ነጋስታት ክስየሙ ጸኒሖም።

ራእሲ-ሚካኤል ስሑል፡ ንስለ ፖሊቲካዊ-መኸሰብ፡ ነቲ ኣብ ሕሉፍ እዋናት ብ እንዳ-ጸዓዘጋ እትግብረሉ ሰናይ-ግብሪ ረሲዑ፡ ነዚ እንዳ'ዚ ጸቒጡ ን "ሃዘጋ" ክብ ብምባሉ፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ'ዚ ክልተ-እንዳታት ዝጸንሐ ተጻራርነት-ምፍሕፋሕን፡ ኣብ ዘይዕረቕ ሕሱም ጽልእን-ቅርሕንትን ከም ዘስገሮ እውን፡ ተገንዚብና ነይርና።

ክፍለጥ ከም ዝግባእ ግና፡ እዞም «ክልተ-እንዳ»፡ ብ ሚናብ መራሕ-ሰራዊት ቀዳማይ ምኒሊክ ወድ-ሰለሞን ኣቢሎም፡ በዚ ዝኸተል ፍቕዲ-ወለዶ፡ ናይ ሓባር-መቆል ከም ዘለዎም ምንጻር፡ ናይ-ግዲ ይኸውን።

****

1ይ- ሰሌዳ

መበቆል።

ሚናብ[1] ቀዳማይ (1)
ጉማ (2)
መረዊ (3)

ፋሉቅ (4)- ማሉቅ (5)- ጫሉቅ (6)

ሚናብ ዳግማይ (ዳሕረዋይ)
ሲል-ሻማ ወይ ሻም-ሲል (7)
መኸተር ወይ መኽተር
ድመግያን ወይ ድምበዛን
ዛናይ (8) ምስ ኣሕዋቱ (ወረደ ምሕረት (9)- ጠንቀ-ጾምፋይ)
ሕዝባይ (10) ወይ ሖዝባይ ምስ ኣሕዋቱ (ሓድግንበስ-ገብሩ-መሓረ-
-ሓየሎ)።
ኣተሸም (11)
ተስፋጽዮን (12) ምስ ኣሕዋቱ (ገብረክርስቶስ-ብሩሕ-ራውያ-ዛርጦ-
-ናይ-መርቆርዮስ-ያቆብ-ሙሳ) (13)

ታከለ- ዓገባ(14)- ዘርኣይ(15)- ሚናብ

****

1- ሚናብ ብተመሳሳሊ በን-ኣም ወይ በን-ያም፣ ትርጉሙ ምስ በንያም ዝብል ናይ እብራይስጥ ስም ሓደ ኮይኑ "ወድ-የማን" ማለት እዩ።

መብርህን-ምልክታ ን 1ይ ሰሌዳ።

(1)- መብዛሕትኡ ኣብ ሓማሴን- ኣከለ ጉዛይ- ዝነብር ህዝቢ፡ ዘርኢ ናይዚ ሚናብ እተባህለ መራሕ-ሰራዊት ቀዳማይ ምንሊክ ወድ ሰሎሞን-ንግስቲ ኣዜብን ምዃኑ ይኣምን[2]። ንግስቲ ኣዜብ ማለት፡ እታ ኣብ መጽሓፍ-ቅዱስ ከም ሳባ እትፍለጥ ንግስቲ እያ።

ባህሊ ከም ዘዘንትዎ፡ ሚናብ ነታ ንግስትን-ነቲ ንጉስን ከሰኒ ካብ የሩሳለም ን ኣፍሪቃ ክመጽእ እንከሎ፡ ንእተፈላለዩ ነገዳት-እብራይስጥ ዝውክሉ ሹማምንቲ ኣኽቲሉ እዩ ናብዚ ሃገር መጺኡ።

እቲ ህዝቢ ከም ዘላልዮም ድማ፡ እተጠቕሱ ነገዳት፥ ሮቤል- ይሁዳ- ለዊ- ዮሴፍ- ንፍታለ- ኰይኖም፡ ብቛንቋ-እብራይስጥ ን ሩበን- ይሁዳ- ለቪ- ጆሲፍ- ንፍታሊም እተባህሉ ደቅ-ያቆብ ስለ ዝምልከት፡ ን «ዘርኢ-ያቆብ» ዝመስረቱ ነገድ ከም ምዃኖም ይኣመን።

በዚ ገለጻ'ዚ ብፍላይ ዝፍለጡ ድማ፡ እቶም ካብ ሃገረ-ፍልስጤም ንጓድ-ሓበሻ ዘሳገሙ «ሰማውያን-ህዝብታት» እዮም። ከምዚ'ሎም ድማ፡ ካብቶም ብ " ደቡብ-ዓረብ " መጺኦም ዝበሃሉ «ሰማውያን» ኲነ- ካብቶም ሣኒት ኣብዚ ሃገር'ዚ ዝነብሩ ክፋል-ሓማውያን ይፍለዩ።

«ደቅ-ያቆብ» ብዝብዝሒ ዝወሓዝሉ ቦታ፡ መረብ/ምላሽ እዩ።

ህዝባዊ-ያታ ከም ዘዘንትወሉ ድማ፥ ሮቤል፡ ኣብ ሉን እዩ ሰፊሩ። ለዊ፡ ኣብቲ ሉሚ ከም - እንዳ ባርግለ ድምበዛን- ዓድታት ገረሚ- ዓድ ኣበይቶ- ቆሓጽየን ኣብ ካርነሽም- ኣብ እስመራን ካልእ ክፍልታት ሓማሴን፡ ነቢሩ ይበሃል። ከምኡ'ውን ናይቶም ኣብ እምባደርሆ-ካርነሽም- " ሓም " ዝበሃሉ ህዝቢ፡ ርእሰ-ነገድ ምዃኑ ይፍለጥ። ዮሴፍ፡ ኣብ ሰሓርቲ- ሊባን- እዩ ቆይሙ። ንፍታሊ፡ ንትግራይ ሓሊፉ ኣብኡ እዩ ፈርዩ። ይሁዳ፡ ኣብ ሰራየ ነቢሩን- ሓድጊ ጉዳፉን- ናብቲ ዓድ-ንጉስ እተባህለ ሃገረ-ኣምሓራ ክወርር ሓሊፉ።

ኣከለ ጉዛይ- ሓማሴን ወይ ሓማሰን፡ ብዘርኢ-ሚናብ ስለ እተሃዘ፡ «ደቃ-ሚናብ» ወይ ዘርኢ-ሚናብ ብዝብል ናይ ሓባር-መጸዋዕታ ይፍለጡ። መብዛሕትኡ ህዝቢ ደቃ-ሚናብ፡ ነዚ ካብ ነገዳት-እስራኤል ዝመጸ ትውልዲ፡ ሣኒት ስለ ዝኣምኑሉ፡ ቅድም'ዚ ነገድ'ዚ ምምጻኡ፡ እቲ ሃገር፡ በረኻ ወይ በዱ-በዱ ከም ዝነበረ ይምጉት።

ኣብዚ ክንግንዘቦ ዝጸናሕና ታሪኽ፡ ክልተ-ነገር እዮም ብመጀመርያ ዘተሓሳስቡ፥

1ይ- እተጠቕሰ ፍቕዲ-ወለዶ፡ እንታይ ዝበለ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ከም ዝሃንጸ ዘተሓሳስብ ክኸውን እንከሎ-

2ይ- ኣብዞም ዓድታት ዝነብሩ ህዝቢ፡ ናይ ሓቂ መበቆሎም ፈጺሞም ረሲዖም፡ ኣብቲ እብራ-ይስጠ-ክርስትያን ዝመስረቱ ባህሊ ንኽጸንዑ ዝደረኸ ምስጢር ዝምልከት እዩ።

ክኢላ ሓጋጊ ክዝንግዖ ዘይግባእ ነገር ድኣ፡ እዚ እምነት'ዚ፡ መንፈሳዊ-ዝምባለ እውን እተሓወሶ እምነት ምዃኑ ዘይምርሳዕ እዩ።

ብእንጻር ናይዚ፡ ዝቐርብ ካልእ-መጕት እውን ኣሎ። ካብ ነዊሕ-እዋን እትሊዞም ብዙሓት ዳህሰስቲ-ገያሾ (ከም ኣብነት፡ ኢጣልያዊ-ሳፐቶ)፡ ኣብ ሓማሴን ኰነ/ብዝያዳ ድማ ኣብ ኣከለ ጉዛይ ዝነብሩ ህዝቢ፡ ብቅርጺ-ኣካላቶም ይኹን/ ሕብሪ ቆርበት- ተምሳልን/፡ ካብ ኢትዮጵያ-ፍያዊ-ፊቼድ " ዓድ-ሓበሻ "፡ ኣዝዮም ከም ዝፍለዩ የመልክቱ። እዚ ነገር'ዚ ዘረጋግጾ ክልሰ-ሓሳብ (Teoria : Theory) ድማ፡ ኣብ ዝኾነ ህዝባዊ-ባህሊ፡ ወትሩ፡ ሓቅ-ሓዘል ዝበሃሉ ያታ ይዝውተሩ ምዃኖም የረድእ።

ኣብዚ ሃገር ዝኣመን ዞብኣዊ-ባህሊ ከም ዝሕብሮ፡ እዞም "ሰማውያን-ህዝብታት" ብዛሕሪ ኣቢሎም ምስ መጹ፡ ኣብ «ኣዱሊስ /ሓንፊላ»- እዮም እልሒቖም ዓሪፎም። ን " ሓላይ " ገጾም ብዘበሉ ድማ፡ ኣብኡ ብድሕር ምጽናሕ እዮም ኣብ ኣከለ ጉዛይ- ሓማሴን ሰሲኖም።

መብዛሕትኡ ህዝቢ መረብ/ምላሽ ኣብዚ መርትያ ዘይርከቦ መግለጺ'ኳ እንተኾነ እምነቱ፡ መረዳእታ ዘይርከቦም ብክፍለ-ዘመናት ኣቢሎም ኣብዚ ዞባ'ዚ እተሰራሒሑ "ኢትዮግራፍያውያን ደሲታት " እውን ምህላዎም፡ ክፍለጥ ይግባእ። ከምዚ'ሎም ንኣብነት " እንዳ-ባርግለ " ኣብ ደቡብ-ተምቤን ኣብቲ ን እገው-ምድር ገጹ ዘብል ክፍልታት፡ኣዝማድ ይርከብዎም። ብተመ-ሳሳሊ፡ ጋላ ዝመበቆሎም ብ " ጭዋ " እተሃዘቡ ዓድታት ኣብ «ሉን» ይርከቡ። ኣብ ካልእ ዞባታት'ውን ከምኡ።

2- ብዛዕባ ርክብ ንግስቲ ኣዜብን- ሰሎሞን ኲን/ ብዛዕባ ምንሊክ እተባህለ ውላዶም፡ ኣብ መረብ/ምላሽ ብሃሟን ዝኣመን ያታ፡ ሰዒቡ ዝቐርብ እዩ።

እዚ ነገራት'ዚ ጠሊቕካ ምምርማር፡ እተመሓላለኸ እዩ። ምትርጓሙ እጸጋሚ፣ ሓያል ጻዕሪ እውን ይሓትት። ብዛዕባ ክፈላዊ-ወገናቱ ግና፡ ኣብ ዝስዕቡ ኣርእስትታት ናይዚ ዕዮ'ዚ መግለጺ ዝወሃቦም እዩ።

2)- ብዛዕባኡ፡ ኣብ "ደምበያ"(ኣምሓራ) ከም እተወልደን፡ ተባዕ ተዋጋኢይ ምንባሩን እንተ-ዘይኮይኑ፡ ካልእ ዝፍለጥ ሓበረታ ኣይረኸብናን።

3)- እዚ'ውን ኣብ ዓድ-ኣምሓራ ተወሊዱን-ዓብዩን፡ ኣብ ዝሰዓበ እዋናት እዩ ካብቲ ሃገር ለቒቑ ንሰሜን ገጹ እምሪሑ ብ ወልቃይት/ዓድ-ባርያ/ገርገር/ጐላጕል-ጉንዳበርቲ(ዓንሰባ)-ሓሊፉ፡ ኣብ "ገሽናሽም" ናይ ሎሚ ድምበዛን ቀይሙ።

መረዊ፡ፋሉቕ-ማሉቕ-ጫሉቕ- እተባህሉ ርእሰ-ነገድ ህዝብታት ደቃ-ሚናብ ምኺኖም ዝእመኑ ሰለስተ ደቂ ነበርዎ።

ጉማ ኩን መረዊ ኣብ ዓድ-ኣምሓራ ምውላዶምን-ኣብኡ ምጽናሖምን ከም ዝሕብር፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ብሰማውያን-ህዝቢ እተፈጸመ ሳግመ፡ ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ ኢትዮጵያ ማእከል-ስልጣኑ ብዘቐመ፡ ንደቡብ ገጹ ወረሩ ድሕር ምጽናሕ፡ ሓደ-ክፋሉ ናብቲ እተበገሰሉ ቦታ ከም እተመልሰ የረድእ።

ጉማ ተባዕ ተዋጋኢይ ምንባሩን- ኣብ ሃገር-ኣምሓራ ምማቱን ከም ዝእምቶ ድማ፡ እቲ ንደቡብ-ገጹ ዘምረሐ ወራር፡ ነዊሕ ጊዜን-ሓያል ጻዕርን ከም ዝሓተተ የረድእ።

4)- ፋሉቕ፡ ወትሩ ኣብ ቤት ኣቦኡ እዩ ነቢሩ። ኣብ ድምበዛን ኩን ክርነሽም ድማ ብዙሓት ዓድታት መስረተ።

5)- ማሉቕ፡ ንደቡባዊ-ምብራቕ ኣቢሉ ተሰዲዱ፡ ነቲ ብመሰረት ኣከለ-ጉዛይ እተባህሉ ክልተ-ኣሕዋት እተሰመየ መሬት ኣከለ-ጉዛይ ሃዘበ።

6)- ጫሉቕ፡ ኣብ ጺጋማይ ወገን ናይቲ ብሓፈሻኡ ፈለግ-መረብ ካብ ሰሜን ንደቡብ ገጹ ዘምርሓሉ ቀዳማይ ክፋል ጉዕዞኡ ኣብ ዝርከብ ቦታ ሰፊሩ፡ ንህዝብታት መረታ ዝፈረየ እዩ።

7)- ናይዞም /ሚናብ ዳግማይ/ ሲል-ሻማ/ መኽተር/ ድመማያን/ እተባህሉ ኣርባዕተ-ሰባት፡ እቲ ባህሊ ብዘይካ እስማቶም ዝዓተቦ ካልእ ነገር ኣይረኸብናን።ስለምንታይ እዩ ግን እዚ ዝኾነ ? እቲ እዋን ድዩ ዘመነ ሰላም-ራህዋን ዝነበረስ፡ ወይሲ ዓበይቲ ናዕብታትን-እተመሓላለኹ ፍጻሚታትን ይኸዩዱ ብምንባሮም እዩ ስም ናይቶም ውሩያት ዝበሃሉ ውልቀ-ሰባት ብፍላይ ዝዝንተወሉ ? ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ እቲ እዞም ኣርባዕተ-ሰባት ነቢሮምሉ ዝበሃል እዋን፡ ነዊሕ ክፍለ-ዘመናት ስለ ዘጠቓልል ድዩ እቲ ዝሰዓበ ትውልዲ ንተባዕ ፍጻሚታቶም ረሲዑ ? ዝኣመስሉ ሕቶታት መልሲ ምተገብእም።

ኣብ ብዙሓት ደረጃ-ምዕባለኦም ለጠቕ ዝበለን- ባርባራውያን ዝበሃሉ ህዝብታትን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ያታዊ ጸብጻብ-ወለዶ ልሙድ ብምኳኑ፡ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ዝቐረበ ሕቶ እዩ ናተይ(ደራሲ) ኣተኩሮ ኣድሂቡ። ከመይሲ እቲ ኣብ ሞንጎ ፋሉቕን (ሰሎሞናዊ-ዘመን ካብ ዝጀመረሉ፡ ኣብ ሳልሳይ መስርዕ-ወለዶ ሚናብ ቀዳማይ ዝርከብ ማለት እዩ) እቲ ብግምት ብ 13° - 14° ዓመታት ናይ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን ነቢሩ ዝበሃል ዛናይ ወድ-ድመማያን ዝሀሉ ኣገዩ ነዊሕ ዝኾነ ናይ ዘመናት ጋግ፡ ብዕድመ ኣርባዕተ-ሰባት ጥራሕ ተማሊኡ ኢልካ ምእማን፡ ዘይከኣል እዩ።

8)- ዛናይ፡ ጅግና ተዋጋኢይ እዩ ዝነበረ። እቶም /ሓድገንበስ/ ገብሩ/ መሓረ/ ሓየሎ/ እተባህሉ ዳሕረዎት ኣርባዕተ-ደቁ፡ ን "ኳንደባ" ኣብ ካርነሽም/ደቃ ገብሩ-ደቃ መሓረ- ሓየሎ ኣብ ድምበዛን/ እተባህሉ ዓድታት ዝመስረቱ እዮም።

9)- ዘርኢ ወረደ-ምሕረት ሓው ዛናይ፡ "ዓድ'ሻንስ" - "ደብር'ሻንስ"- እተባህሉ ዓድታት ኣብ ሸውዓተ-ዓንሰባ መስረቱ።

10)-ሕዝባይ፡ ቦኽር-ውላድ ዛናይ ብምኳኑ፡ ወራሲ እውን እዩ። ኣብ ዓድ ተኸሎይ እተባህለ ዓዲ ኣብ ደቅ ሻሓይ (ሸውዓተ ዓንሰባ)፡ እንጻር ዘረፍቲ እናተዋግአ እዩ ሞይቱ።

11)- ብዘመነ እቲ ንከተማ«ጐንደር»ዝመስረተ ሃጸይ-ፋሲል (1632 ዓ.ም.?) «ዝብጣ» ኣብ እተባህለ ዓዲ እዩ ዝነብር ነይሩ። እዚ ዓድ'ዚ ኣብ ሀልዊ-እዋን፡ ያና እዩ ተረፉ።

ምኽንያቱ ብዘይፍለጥ ግና፡ ኣተሽም ካብ ዝብጣ ለቒቑ ቅሩብ ፍንትት ኢሉ "ዓድ-ቖንጺ" እተባህለ ዓዲ መስረተ። ኣብዚ ዓድ'ዚ ድማ ከም ገለጻኡ ገለን ሾሞንተ- ገለን ድማ ሸውዓተ ደቂ ወሊዱ ይብሉ። ብሩሕ- መንቀርዮስ- ዛርጠናይ- እተባህሉ ደቁ፡ ኩልጊዜ ኣብ ዓድ ቖንጸይ ኣብ ቤት-ኣቦኦም እዮም ነቢሮም። እቶም ዝተረፉ፡ ካብኡ ለቒቖም ኣብቲ ከባቢ ካልእ ዓድታት መስረቱ። ተስፋጽዮን እቲ ቦኽሪ፡ "ሃዚጋ" ዝመስረተ እዩ። ገብረክርስቶስ፡ "ጻዕዳ ክርስትያን"/ ራውያ፡ "ወኪድባ"/ ያቆብ፡ እቲ ሎሚ ምስ ሃዚጋ እተጸምበረ "ዓድ ያቆብ"/ ሙሳ ድማ ኣብ መወዳእታ፡ "ዓድ-ሙሳ" ዝመስረቱ እዮም።

ገሊኦም ከም ዝኣምንዎ ግን፣ ሙሳ ወድ'ተሽም ዘይኮነ፣ ብድሕር ሞት ኣተሽም በዓልቲ-ቤቱ ካብ ዳሕረዋይ ሓዳራ ዝወለደቶ-ውላድ እዩ ይብሉ። ሰናይ ፍቓድ ናይ ደቅ-ጡብ ኣሕዋቱ እዩ ኣብ ውርሻ-እቦኦም ከማሳሕ ፈቒዱ። ብዛዕባ ሙሳ ዘሎ ትሕዝቶ፣ ካብዚ ሓሊፉ ክሳብ ብህይወት ምንባሩ እውን ብዙሓት ይጠራጠርሉ እዮም። ስለ'ዚ እውን ዓድ-ሙሳ እተባህለ ዓዲ፣ ኣብ ሞንጎ ጉልታት *ደቀ'ተሽም -ደቅ ዘርኣይ- ታከለ ዓንበ-* ወትሩ ናይ ምስሕሓብ-ጠንቂ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ።

እዚ ክበሃል እንከሎ ግን፣ እቶም ካልኦት ተዋሳእቲ፣ ታሪኻዊ ጭብጥታት ሃልዩዎም- ህላዌኦም ብዝማባእ ኣረጋጊጾም ማለት ዘይኮነ፣ እቲ ብዛዕባኦም ዝቐርብ ያታ፣ ሰሚሩ እዩ ዝቐርብ።

ዘርኢ-ኣተሽም ዘኸየዶ ፍጻሜታት- ናይ ሓድ ሕድ ምስሕሓብ- ናይ ስልጣን ውድድር- ሰዓቡ ኣብ ምሉእ መረብ ምላሽ ዘሕደርዎ ጽልዋን ተገንዚብካ፣ ብድሕር-ሞት ኣተሽም እቲ ብደቁ እተመሓላለፈ ናይ ውርሻ ዝርዝራት ምቕራብ፣ ኣድላዪ ይኸውን።

ሀ)-ተስፋጽዮን፥ እቲ ሎሚ ብሃዘጋ- ጸዓዘጋን ዝውነን መሬት- ዓድታትን ተመቒሉ፣ ርእሰ-ነገድ ናይቶም ኣብ ደቅ-ዘርኣይ/ ታከለ ዓንባ/ ዝነብሩ ህዝብታት ከም ዝኾነ ይእመን።

ለ)-ንብረክርስቶስ፥ ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ሎም ከም ደቃ'ተሽም ወይ ደቅ-ኣተሽም ዝፍለጥ ጉልቲ ተመቒለ። እዚ ጉልት'ዚ፣ ንዓድታት *ጸዕዳ-ክርስትያን* ወይ ኩሲታን- *ዓድ ሰጉዶ-ጕዳይፍ-* ጊጀረት(ሎሚ ዓንዩ እተለቐቐ ቁሸት እዩ። ህዝቡ ግን ኣብቲ ጥቓኡ ዝርከብ ጕዳይፍ እናነበረ፣ ዋንነት-መሬቱ ዝዓቀበ እዩ)- *ዓዕሮ ጸውሎስ* ወይ *ቃውሎስ- ቁሸት- ጸዕዳ እምባ-* የጠቓልል።

ሐ)- *ራውያ፥ መሊደባ* በጽሑ።

መ)- ብሩሕ፣

ሰ)- ዛርጠናይ፣ ሓቢሮም ብምጽናሖም፣ *ዓድ-ቐንጸይ* እዩ ብጽሒቶም።

ረ)- መንቀርዮስ፣

ሸ)- *ያቆብ፥ ዓድ-ያቆብ* እተባህለ ባዕሉ ዝመስረቶ ዓዲ እዩ ሒዙ። ኣብ መወዳእታ ድማ፥

ቀ)- ምንባሩ እኳ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ እይኹን ሙሳ፣ *ዓድ-ሙሳ* ዝበሃል ዓዲ ተማስሐ።

ዛርጠናይ፥ ዘርኢ ስለ ዘይሓደገ፣ ንብረቱ ንቤተ-ክርስትያን «ቅዱስ ሚካኤል ዓድ-ቐንጺ» እዩ ተዋሂቡ።

12)- ተስፋጽዮን፣ ቦኸር-ውላድ ኣተሽም ወራሲኡ'ውን እዩ። ሃጸይ-ሱስንዮስ ወይ መልኣከ-ሰገድ (1605-1632 ዓ.ም.?) እተባህለ ንጉስ ዓድ-ሓበሻ ይገዝእሉ ኣብ ዝነበረ እዋን እዩ ነቢሩ። መራሒ ናይ ኩሎም ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ሓማሴን ዝነበሩ ዓድታት ምኻኑ'ውን ይፍለጥ። መናበሪ ቦታኡ፣ ኣብቲ ባዕሉ ዝሃንጾ ዓዲ «ሃዘጋ» እዩ ዝነበረ። ክልተ ኣንስቲ ኣእተወ። ካብ ነፍሰ-ወከፈን ድማ ክክልተ-ደቂ ወለደ። ዘርኣይ- ሚናብ እተባህሉ ክልተ-ደቁ፣ ኣብ ሃዘጋ ኣብ ቤት-እቦኦም ብምትራፎም፣ እቲ ክሳብ ዕለት ሎሚ ከም *ሚናበ-ዘርኣይ* ወይ ብስም እቲ ምዕባዩ፣ ከም *ደቅ-ዘርኣይ* ዝፍለጥ ብ «እንዳ-ሃዘጋ» ዝመሓደር ምሉእ ኣውራጃ፣ ብስሞም እዩ ተጸዊዑ።

ታከለ(ወይ ተከለ)-ዓንባ እተባህሉ ዝተረፉ ክልተ ደቅ-ተስፋጽዮን ድማ፣ ጸዓዘጋ(ጸዕዳ ከተማ) እተባህለ ዓዲ መስረቱ። እቲ በዚ ዓድ'ዚ ዝመሓደር ምሉእ ኣውራጃ፣ ማለት እቲ ዛጊት ከም *ታከለ-ዓንባ* ዝፍለጥ ጉልቲ ድማ፣ ብስሞም እዩ ተጸዊዑ።

ታከለን ዓንባን ቦኸርታት ክነሶም፣ በየናይ ምኽንያት ቤት-እቦኦም ኮነ እቲ ዓዲ ከም ዝለቐቑ ከምኡ'ውን እቶም ሰዓቦም እተወልዱ ዘርኣይን ሚናብን ከመይሎም ኣብ ቤት-እቦኦም ከም ዝተረፉ፣ መግለጺ ኣይርከበን። ሰዒቦም እተኸየዱ ፍጻሜታት ከም ዝእምትዎ ግና፣ ኣብ ሞንጎ ዓንበን-ዘርኣይን እዩ ሰኒት ዘይተረኸበ ዝመስል። ንዘርኣይ እዩ ድማ ብወላዲኦም ሓለፋ ተፈትዩ ደገፍ እቦኡ ዘይተፈለዮ። እዚ ምርጫ'ዚ ግና፣ ንስለ ሕግን-ፍትሕን እዩ ተገይሩ እውን ይብሃል እዩ።

ብርግጽ ክፍለጥ ከም ዝከኣል ግና፣ ን *ጸዓዘጋን-ሃዘጋን* ዝፈረዩ ንሳቶም ካብ ኮኑ፣ እቲ ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-እንዳታት እተተኸለ ጽልኢ፣ ብኣኦም ዝጀመረ ይመስል። ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ድማ፣ ውርያት ወከልቲ ናይዞም ክልተ-እንዳ፣ ደጊያት-ሃይሉ (ዘ-ጸዓዘጋ)/ ራእሲ-ወልደንኪኤል (ዘ-ሃዘጋ) እዮም።

ታሪኽ ሓማሴን ኮነ ንባዕሉ ታሪኽ ምሉእ መረብ/ምላሽ ምጡን-መርትዖ ዝርከቦ ድማ፣ ብ

ታከለ- ዓንባ- ዘርኣይ- ሚናብ ኣቢሉ እዩ። ዓመተ-ምህረቱ፣ 1605-1632 ? ።

13)- ኣቐዲሙ ከም እተጠቕስ፡ ሙሳ ከም ወድ-ተሰፋጽዮን እንዳ'ተሽም ምፍላጡ፡ ብኹሎም ዝድገፍ ትውልዲ ኣይኮነን። ገሊኦም፡ ብድሕር ሞት ተሰፋጽየን በዓልቲ ቤቱ ካብ ዳግማይ-ሓዳራ ዝወለደቶ እዩ ይብሉ። ገለን ድማ ካልእ ርእይቶ ዘቕርቡ ኣይሰኣኑን። ኮሳብ እውን ምንባሩ ንባዕሉ ኣብ ምጥርጣር ኣትዩ፡ ህዝቢ ዓድ-ሙሳ ምስቲ ሓያል-እንዳ ንምትእስሳር ባዕሉ ዝመሃዞ ናይ ፈጠራ ትውልዲ እዩ ዝብሉ ኣይሰኣኑን።

14)- ዓንዛ፥ ብድሕር ሞት ኣቦኡ በቲ ሽዑ ይገዝእ ዝነበረ ንጉስ፡ ሓላፊ ናይ ምሉእ-ሓማሴን ተሸመ። ስለዚ እዩ ድማ እቲ ቦኸሪ ክሱ ሃዘጋ ለቒቑ -ጸዓዘጋ ዝመስረተ ታክለ ካብ ስልጣን ተኣጊዱ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣይፍለጥን። ብርግጽ ግን እቲ መዝነት ናብ ዘርኢ-ዓንዛ እዩ ተመሓላሊፉ። ኣስዒብና ከም እንርእዮ ድማ፡ "እነ-ሽም" እተባህለ ቦኸር-ውላዱ እዩ ስዒቡ ግዝኣት ምሉእ ሓማሴን ጠቕሊልዎ።

15)- ዘርኣይ፡ ከም መስራቲ «እንዳ-ሃዘጋ» ይፍለጥ። ብዛዕባ ዓንዛ ኣብ እተዛረብናሉ፡ እቶም ቦኸር-ኣሕዋት ስለምንታይ ቤት-ኣቦኦም ከም ዝለቐቑ፡ እቲ ባህሊ ከም ዘይጠቕሶ ተገንዚብና ነይርና። ምኽንያቱ ብዘየገድስ ግን፡ እቲ ንዘርኢ-ተስፋጽዮን ወድ'ተሽም ወትሩ ኣብ ክልተ ተጻረርቲ-ዓውድታት ዝኸፈሎም ጽልኢ፡ ካብቲ ዕለት'ቲ እዩ መበገሲኡ።

ዓንዘን-ዘርኣይን፡ ሓንቲ እያ ኣዲኦም። ከምኡ'ውን ታክለ-ሚናብ ካብ ሓንቲ-ስበይቲ ይውለዱ። እቲ መግለጺ ዘይርከቦ ነገር ግና፡ ከመይሎም ዓንዛ-ዘርኣይን ነቲ ተጻራሪ ክልተ-እንዳ ዝመስረቱ ክነሶም፡ ነፍስ-ወከፎም ንወገኑ ሓደ ሓው ወደ'ቦ ከሰልፍ ምኽኣሉን፡ እቲ ናይ ታክለ መስል-ቦኸር ውላድ፡ ስለምንታይ ብ ዓንዛ ከም እተዓብለለ ዝስኣና መረዳእታን እዩ።

****

ስእላዊ መግለጺ ጸብጻብ-ትውልዲ ናይቶም ክልተ-ተጻረርቲ እንዳታት ጸዓዘጋ-ሃዘጋ፡ ክሳብ ኣይተ-ተወልደመድህን ኣቦኡ ንደጊያት-ሃይሉን/ ከንቲባይ-ዘርኣይ ኣባሓጎኡ ንራእሲ-ወለንኪኤልን፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

2ይ - ስሌዳ

ዘርኢ-ወለዶ ተስፋጽዮን ወድ ኢተሽም

እንዳ ጸዓዘጋ | እንዳ ሃዘጋ

1ይ ታከለ — 2ይ ዓገብ — 3ይ ዘርኣይ — 4ይ ሚናብ

1ይ እኑ-ሽም(16)-2ይ ፊሊጶስ-3ይ ቦኽረጽዮን

1ይ ሳምሶን-2ይ ክፍለ-3ይ ህዝባይ

1ይ ተኽለ ዛጥዮስ(17)-2ይ ተስፋ'ሳሲ-3ይ ዓምደ ጊዮርጊስ

1ይ ገብረስላሴ-2ይ ድምፁ ስላሴ-3ይ ፈርሐ ስላሴ-4ይዓምደስላሴ

አቤቶ ሃብስሉስ(18)

1ይዓምደሚካኤል 2ይተድሮስ 3ይደጊያት ገብረክርስቶስ (19)

1ይ ደጊያት ተስፋጽዮን(20) 2ይ ደጊያት ማሙ 3ይ ደ.ርእስ-ሃይማኖት

ባሕረ.ጋሲ. ሰሎሞን

4ይደ.ዓ.ሃይማኖት (ደቂ) — ተስፋጽዮን; አይተ ሲሀል

5ይወይዘሮ ሙዚት

6ይባሕረ.ጋሲ. ተኽለት (ደቂ) — ክፍለ ስላሴ; አይተ ዘርኡ(21)

ባሕረ.ጋሲ. ቦኽሩ(23)

7ይባሕረ.ጋሲ. ተስፋጊዮርጊስ (ደቂ) — እማሃ; ዎልደገሪማ(22); አይተ አቦኡ

8ይባሕረ.ጋሲ. ዘዎልደ-ማርያም

1ይተስፋጽዮን(24) 2ይገብረክርስቶስ(25) 3ይጸጋይ

1ይ ወይዘሮ ሰበነ
2ይ ወይዘሮ ጸሃይቱ
3ይ አይተ ተወልደ መድህን(26)
4ይ አይተ ገ/ኪዳን (ረግእ፡ እተባህለ-ሓደ ውላድ ነበሮ)

አይተ ወንደፍራሽ

1ይ ገብሩ
2ይ ወይዘሮ ማርቱ
3ይ ስም ምለሲ
4ይ ሓድጎይ
5ይ ሃብስሉስ

ዘርኣይ
አስገዶም
ደብረጽዮን
ዑቕባ'ሃንስ
ተስፋሚካኤል
ገደይ

1ይባሕረ.ጋሲ. ገብሬት 2ይክንቲባ ቀለተ(27)

1ይክንቲባ ተስፉ 2ይክንቲባ ዘርኣይ(28)

1ይአይተ ሰሎሞን(29) 2ይአይተ ሃብተጽዮን
3ይአይተ መንግስቱ።

-ተመልከትት፦ ብሕንጻጽ እተመልከቱ አስማት፡ ንመሬሕቲ ተጻረርቲ እንዳታት «ሃዘጋ-ጸዓዘጋ» እዮም ዘመልከቱ።

መብርህን-ምልክታ 2ይ ሰሌዳ።

16)-ኣብ ዘመነ ንግስነት ሃጸይ ዮሃንስ ጻዻ(እኣፍ-ሰገድ እውን ይበሃል እዩ-1665-1680 ዓ.ም.) እዩ ነቢሩ። «እነ-ሽም» ቦኸር-ውላድ ብምንባሩ፣ ግዝኣት ምሉእ-ሓማሴን ብ ኣቦኡ ወረሱ ድሕር ምጽናሕ፣ኣብ ሞቱ፣"ሳምሶን" ንእተባህለ ውላዱ እዩ ውርሻ ኣመሓላሊፉ (1670 ዓ.ም. ?)።

17)- ምኽንያቱ ብዘይፍለጥ፣ ኣቦን-ኣሕዋቱን ኣብ ጸዓዚጋ ገዲፉ፣ "ዓድ-ገብሩ" እተባህለ ዓዲ ዝመስረተ እዩ።

18)- ኣቤቶ-ሃብስሉስ፣ ብዝነበሮ ተውህቦ-ትብዓት-ሓይሊ- ዓቢ እኽብሮት ዝነበሮ መራሒ እዩ። ንደቡብ ገጹ ደፊኡ፣ ግዝኣቱ ክሳብ ተከዘ ከም ዝበጽሐ እውን ይፍለጥ። ምስ ኀል ሃጸይ-ረምሰገድ[3] (ኣብ ጐንደር ዝነበረ ናይ ሽዑ ንጉስ) ብቃል-ኪዳን ተዋሲቡ ጸኒሑ፣ ብ ዝነ-ዝሙት ስለ ዝቕተላ ድማ ኣብ ቅድም'ቲ ንጉስ ቀሪቡ ምሕረት ድሕር ምሕታት፣ ከም እንደገና ግዝኣቱ ዝዓቀበ እዩ።

ከም ልምዲ፣ ኩሉም'ቶም ብብልሕን-ዕድልን ክብ ክብሉ ዝኸኣሉ ሰብ-ዝና፣ ብእተፈላለዩ ማሕበራዊ-ዖታ ይዝከሩ እዮም። ብዛዕባ ኣቤቶ-ሃብስሉስ እውን ኣብ ሓማሴን ብዙሕ ይዕለል። ሓደ ካብቲ ወግዕታት፣ «መዚንገር» እውን ብወግኡ ዝዓቀቦ፣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦

- ብቕድሚ ኣቤቶ-ሃብስሉስ፣ "ገብረስላሴ" እተባህለ እዩ ኣብ ሓማሴን ገዚኡ ዝነበረ[4]። ገብረ-ስላሴ፣ ድኻን- መዝሙት ዘይነበሮን ግንከ ተባዕን-ተጻዋርን ዝኾነ ናይ ርሑቕ ዘመድ ነበሮ።

ካብ ዕለታት ሓደ-መዓልቲ፣ እቲ ጠቕሰ ዘመድ ምስ ዕሸል ውላዱ መንርን-በጊዕን ናይ ሞገስ-ህያቡ ክበርክት ኣብ ዝፋን ገብረስላሴ ቀረበ። ትሑት ግምት ተዋሂብዎ ግን -ብዝሒ ህዝቢ እውን ስለ ዝነበረን- ተቐባልነት ከይረኸበ ንሸውዓተ-መዓልቲ ዝእክል ኣብኡ ጸንሐ። ምጽንናዕ ስኢኑ ድማ፣ ንዓዱ ምምላስ ወሰነ። ኣብ መንገዲ-መልሰም ግና ወዮ ህጻን-ውላዱ ብማዕዶ ድምጺ ነጋሪት ሰምዐ። ለይቲ ብዝኾነ፣ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ምሕዳር ወሰኑ'ሞ እቲ ኣቦ'ውን ብግደኡ፣ ለይቲ ሕልሚ ሓለመ። ሓደ-ሰብኣይ ናብኡ ቀሪቡ፣«ንጕንደር ተበገስ» ቢሉ ክምዕዶ ተራእዮ'ሞ ባህሪሩ ተበራበረ። ኣብ ድቃሱ ብዝተመልሰ፣ እንደገና እቲ ምርኢት ተደግመሉ።

ኣንባቢ ድር ተገንዚብዎ ከም ዝህሉ፣ እቲ ኣቤቲታኡ ኣቓልቦ ዘይረኸበ ድኻ፣ ኣቤቶ-ሃብስሉስ እዩ ዝነበረ። በዚ ናይ ሕልሚ-ራእይ ተደሪኹ ድማ፣ ን ጐንደር ተሳዕለ። ንመጸኢ እዋናት በዓል-ነጋሪት ተባሂሉ ክስመ ማንም ሰብ ከይተገንዘቦ፣ ብድኽነትን-ዓበቕን ተበሊዑ ንሸውዓተ ነዋሕቲ ዓመታት፣ እብኡ ኣብ ጐንደር ጸንሐ።

ጕይታ-ሓማሴን ዝኾነ ዘመዱ ብድሕር'ዚ ሸውዓተ-ዓመት፣ "ግብረ-ንጉስ" ንምኽፋል ንጕንደር መጸ። ንኣቤቶ-ሃብስሉስ ምስ ኣላለዮ ድማ፣ ክንድ'ዚ ትብዓት-ጽንዓትን ምጥርጣር ኢሕደረሉ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ነቲ ሃጸይ፣ ማንም ሰብ ክመልኮ ዘይከኣለ ሓደ-ፈረስ ህያብ ተዋሂብዎ ነበረ። ገብረስላሴ ን ኣቤቶ-ሃብስሉስ ኣብ ዝኽፍአ ውርደት ከውድቕ ንምፅት፣ ናብቲ ንጉስ ቀሪቡ፣ ዝኾነ ፈረስ ዝመልኽ ድኻ-ዘመዱ ኣብ ጐንደር ምህላው ሓበረሉ። እቲ ንጉስ ናብቲ ድኻ-ሰብኣይ ቀሪቡ ምስ ተወከሶ ድማ፣ ንኩሉም ብዘገረመ ኣገባብ፣ ኣቤቶ-ሃብስሉስ ነቲ ፈተነ ተቐቢሉ እታ ሓንቲ ዝተረፈቶ ክእለት፣ኣብ ግብሪ ኣውዓላ። ባዕሉ ብዝመሃዞ መግረሒ ተጠቒሙ ነቲ ፈረስ ምግራሑ ክኣለ። ብድሕር'ዚ ፍጻሜ ኣቤቶ-ሃብስሉስ ኣብቲ ንጉሳዊ-ዝፋን ተቐባልነት ረኺቡ ድሕር ምጽናሕ፣ፍሉይ መልእኽቲ-ንጉስ ን "ዋሪ"(ድምበዛን) ክብጽሕ ተላኢኹ፣ንኩሉ'ቲ ገብረስላሴ ዘጻወደሉ ማሕለኽ-መፈንጠርያ ሰጊሩ ልኡኽ ኣብ ምዓላ ምስ ኣብጽሐ ድማ፣ ተቐባ-ልነቱ ኣዛየደ። እቲ ንጉስ፣እከይ-ተግባራት ገብረስላሴን/እምነት-ትብዓት-ምህዞን- ኣቤቶ ሃብስሉስ ተመልኪቱ፣ ን ገብረስላሴ ካብ ስልጣን ቀንጢጡ፣ ኣብ ቅድሚ ናይ ዝፋን-ሹማምንቲ ንወዮ ድኻ-ለማኒ «ጕይታ መላእ ሓማሴን ክሳብ መረብ/ምላሽ» ሸይሙ ነጋሪት ኣረኪቡ ኀሉ እውን ኣመርዓዎ።

እተባህለት መርዓት እያ ብርሱላቱ-ድኽነት-ዓበቑን ኣስተናዒቓ፣ ንሳን ኣገልጋሊታን ፎእ ኢለን ጸይነን ኣብ ካልእ ምስ'ድሃባ፣ ኣቤቶ-ሃብስሉስ በዚ ተቐጢዑ ኣብ ጸላም-ለይቲ ሓጺን እተ-ወቕረት-በትሩ ኣልዒሉ ዝቐተላ።

---

[3]- ምናልባት እያሱ-ቀዳማይ (ኣዳም-ሰገድ 1680-1706 ዓ.ም. ?) ከይኮነ ኣይተርፍን።
[4]- ብሓቂስ «መዚንገር» ብተመሳሳልነት ናይቲ ኣስማት ይኹን ተደናጊሩ፣ "ገብረክርስቶስ" እዩ ዝብል። እዚ ግን ስም ናይ ምርቋሕ ጊጋ እንተዘይኮይኑ፣ ገብረክርስቶስ፣ ሓደ ካብ ደቂ-ኣቤቶ ሃብስሉስ ከም ዝኾነ ይፍለጥ።

ብድሕር'ዚ፡ ኣብ ክሳዱ ገመድ ኣሲሩ፡ ንምሕረት ባዕሉ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቀረበ። ምሕረት ተገይርሉ ድማ፡ ካልእይቲ ጓል-ንጉስ ንመርዓ ተፈቒዳቶ። ዝእከል ህያባትን "መኰንን" ዝብል ሽመትን ተወሲኽዎ ድማ፡ ንዓዱ ተመልሰ።

ካብዚ ዖታ'ዚ፡እተፈላለዩን ኣገደስትን ሓበረታ ክርከቡ ይከኣሉ። ካባታቶም ሓድ-ሓደ ንምጥቃስ፥

ሀ)-ብቕድሚ ክልተ ክፍለ-ዘመን ኣቢሉ፡ እዚ ሓያል«እንዳ» ብመሰረት ንጉሳዊ-ውሳኔ፡ ግዝኣቱ ክሳብ መረብ ኣብጺሑ ምንባሩ-

ለ)-ምስ'ቲ ወግዓዊ ንጉሳዊ-ስልጣን፡ ብዝምድና'ውን ተራኺቡ ከም ዝጸንሐ-

ሐ)-ኣብ ሞንጎ ኣባላት ናይቲ እንዳ ሽዑ'ውን እንተኾነ፡ ስኢት ከም ዘይነበረን እዩ ዘረድእ።

ኣገባብ "መሰል-ውርሻ" ንዝምልከት፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ውሽጢ "እንዳ ንጉሳዊ ቤተ-ሰብ" የጋጥም ብዝነበረ፡ ወግዓውያን-ወረስቲ ጠሊፎም ብቆራጽነት ስልጣን ዝጨበጡ ሰባት፡ ዘረፍቲ ኣይብሃሉን ዝነበሩ። እቲ ዝሕተት ኩነት ግና፡ ወራስን-ተወራስን ኣዝማድ ክኾኑ ይግባእ ዝብል ቀይዲ እዩ ዝነበረ። ስለ'ዚ እውን ከምቲ ብዝያዳ ኣብ ዝኸተሉ ኣብነታት እነብርሆ፡ ብተበግሶ ናይቲ እንዳ ኩነ- ህዝቢ ብዘሕድሮ ርእይቶታት፡ ሕጋዊ-ወራሲ ካብ ዝፋኑ ተቐንጢጡ ንሓደ ተባዕ-ክኢላን እተባህለ ኣባል ናይቲ እንዳ ስልጣን እተመሓላለፈሉ እዋናት፡ ውሑድ ኣይኰኑን።

19)- ነዚ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ሓሳብ ዝድግፍ ኣብነት፡ እዚ ዝኸተል እዩ።
ብድሕር ሞት ኣቤቶ-ሃብስሉስ፡ ስልጣን ኩነ እቲ ክሳብ ፈለግ-ተከዘ ዝዝርጋሕ ግዝኣቱ ዝወረሰ፡ እቲ ምንኣስ ኩሎም ዝነበረ "ገብረክርስቶስ" እተባህለ ውላዱ እዩ። ባህሎም ከም ዝምስክረሉ ድማ፡ ተባዕ ተዋጋኣይ ብምንባሩ፡ ገብረክርስቶስ እዩ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ ታሪኽ ናይቲ እንዳ፡ «ደጊያት»ዝብል ወታሃደራዊ-መዝነት ተሰሊሙ።ስለ'ዚ ከኣ እዩ ነቶም ዓምደሚካኤል/ተድሮስ/ እተባህሉ ክልተ ምዕባይ-ኣሕዋቱ ሰጊሩ፡ መራሒ ናይቲ እንዳ ክኸውን በቒዑ።

ገብረክርስቶስ ኣብ ዝነበረሉን-ዝገዝኣሉን እዋናት፡ ዓድ-ሓበሻ ብ ሃጸይ-መካፋ ወይ በካፋ (1719-1729 ዓ.ም. ?) እዩ ዝመሓደር ነይሩ።

ንደጊያት-ገብረክርስቶስ፡ ደጊያት-ማሙ እተባህለ ውላዱ እዩ መራሒ-ስራዊቱ ዝነበረ። ሓያል ወታሃደር ብምንባሩ ድማ፡ ፍጻሜታቱ ክሳብ "ወልቃይት" ሓሊፍካ'ውን ይዝከር። ደጊያት-ርእሰሃይማኖት እተባህለ ካልእ ውላድ ገብረክርስቶስ ድማ፡ ኣንጻር ጋላ እናተዋግአ ኣብ ዓውደ-ውግእ ከም ዝሞተ ይፍለጥ።

ብድሕር ሞት ገብረክርስቶስ ግና፡ እቲ ስልጣን ናብ ደጊያት-ተስፋጽዮን እተባህለ ቦኽሪ-ውላዱ እዩ ተመሓላሊፉ።

20)- ኣብ እዋን ንግስነት "ሃጸይ-እያሱ" ወይ ዳግማይ-እያሱ (1729-1753 ዓ.ም.?) እዩ ነይሩ። ኣብ ንእስነቱ ስለ ዝሞተ ድማ፡ እቲ ስልጣን ናብ *ማሙ/ርእሰ ሃይማኖት-* እተባህሉ ክልተ-ኣሕዋቱ እዩ ተመሓላሊፉ። ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ ርእሰ ሃይማኖት ኣንጻር ጋላ እናተ-ዋግአ ክሳብ ዝሞተሉ እዋናት፡ ክልቲኦም ኣሕዋት ብሓባር እዮም ኣብ ምምሕዳር ጸኒሖም። ብድሕር ሞት ደጊያት-ማሙ ግና፡ እቲ መሪሕነት ናብ ሕጋዊ-ወራሲኡ ማለት *ባሕረ'ጋሲ ሰሎሞን* እተባህለ ውላዱ ንደጊያት-ተስፋጽዮን እዩ ተመሓላሊፉ።

21)- *ክፍለ ሰላሴ/ ኣይተ ዘርኡ/*እተባህሉ ደቅ-ሓው ንገብረክርስቶስ፡ ሓቢሮም "ዓድ-ተኽላይ" እተባህለ ዓዲ ዝመስረቱ እዮም።

22)- ባሕረ'ጋሲ ተስፋጊዮርጊስ፡ጸዓዘጋ ለቐቑ፡ኣብ ጽልማ እዩ ነቢሩ። ኣብዚ ድማ፡«ኣማድር» እተባህለ ዓዲ መስረተ።

23)- ባሕረ'ጋሲ ቦኽሩ፡ ሃጸይ-ዮኣስ ብ ራእሲ-ሚካኤል ተቐንጢጡ ኣብ እተቐትለሉ ዘመን (1753 ዓ.ም.) እዩ ነቢሩ። እዚ ን ወግዓዊ ስርወ-ንግስነት ከም ዘይምለስ ገይሩ ዘቕሃመ ሚካኤል-ስሑል እተባህለ ውሩይ ግእራሪ፡ ኣብ ሰዊት ዕድመኡ "ብላታ" ወይ ኣማኻሪ እንዳ-ጸዓዘጋ ተባሂሉ ክገልግል ድሕር ምጽናሕ፡ ኣብ መፋርቕ 18 ክፍለ-ዘመን ኣንጻር ኣብ ላስታ እተላዕለ ተቓውሞን-ኣንጻር ጋላን፡ ነቶም ረዳት ሃጸይ ተባሂሎም ብ እንዳ-ጸዓዘጋ እተወደቡ ሰራዊት ከም ኣዛዚ ክመርሕ ከም እተላእከ፡ ዝዝከር እዩ።

ሚካኤል-ስሑል፡ ኣብ ሓጺር እዋን ብተብዓት ኩነ/ ብወታሃደራዊ-ክእለቱ ተፈሊጡ፡ ዝናኡን-መዝነቱን እናዛየደ ብዝመጸ፡ መብዛሕትኦም 'ተጋሩ ዝኣባላቱ ሓያል ሰራዊት ኣቖመ። ነዚኦም መሪሑ ድማ፡ እንደገና ን ዓድ-ኣምሓራ ሓለፈ። ኣብ እተፈላለዩ ግጥማት ኣብ ላስታ-ዳሞት ንዝተላዕሉ ተቓወምቲ ሰዒሩ ን "ጋላ" - "እስላም ፋዞግሉ" ደፊኡ ብዝረኸቦ ዓወታት፡ ንባዕሉ "ተጣባቒ-ንግስነት" ዝብል ሽመት ጠቒሊሉ፡ ንናይ ትግራይ ጸብለልትነት ወይ'ውን ብዝዘለጸ ንጸብለልትነት ናይቲ ኣብ ኢትዮጵያ «ግእዝ» እተባህለ ባእታ፡ ከም እንደገና ኣረጋገጸ።

ራእሲ-ሚካእል ክንድ'ዚ ዝኣክል ዕቤት ምስ ደለበ፣ ነጋውስ ቀቲሉ ኣብ ክንዳኡም ካልኣት ንምምራጽ ኰነ፣ እንጸር'ቶም ቀዳሞት ጕይቶቱን-ገበርቲ ሰናዩን ዝነበሩ እንዳ-ጸዓዚጋ ንምልዓል፣ ዓይኒ ኣይሓሰየን።

ንባሕረ-ነጋሲ ቦኽሩ ኣብ ኩናት ብዝሰዓሮ፣ "ነጋሪቱ" ቀንጢጡ ነቲ ኣብ ሞንጎ መረብ-ተከዘን ብኣሉ ዝመሓደር ዝነበረ መሬት እውን ዘሪፉ፣ ኣብ መረብ/ምላሽ ጥራሕ ከም ዝውሰን ገበሮ። ኣብዚ ግን ክርሳዕ ዘይግብኦ፣ ባሕረ-ነጋሲ ቦኽሩ፣እንጸር ካልእ-ጸላኢ እውን ገጢሙ ከም ዝነበረ ምስትውዓል የድሊ።

ናይ "ሕርጊጎ ናይባት" ምስ ራእሲ-ሚካእል ብዝኣተውዎ ውዕላት መሰረት፣ ፍሉይ ጉልቲ ተባሂሎም፥ "ቤት-መኸእ" እተባህለ ዓድን/እምኒ ጸሊም/ካልእ መሬት ኣብ ኣከለ ጉዛይ ኰኑ ሰራየ/ ክሳብ እንትርሙን-ሰረርን ከይተረፈ በዞም ነገደ-በለው ዝኾኑ ናይባት ዝውነን-ዝሕረስን መሬት/ ዓድታትን/፣ ተዋሂብዎም እዩ ጸኒሑ። ንለውጢ ናይዚ ልግሲ ድማ፣ ናይባት-ሕርጊጎ ነቶም ብምኽንያት ንግዲ ንገማግም-ባሕሪ ገጾም ዝወርዱ ነጋዶ ዓድ-ሓበሻ፣ ሰላም ከውሕሱ እዮ እቲ ስምምዕ ዝነበረ።

እዚ ኣብ ሞንጎ ሚካእልን-ናይባትን እተገብረ ስምምዕ/ ክልተኣዊ-ሕድገታትን፣ ምናልባት ከም ወዮ «ሙዚንገር» እውን ዘይሰሓቶ፣ ክልቲኦም ወገናት ንምስፍሕፋሕ "ቱርኪ" ኣብ ገማግም-ባሕሪ ንምዕጋት ዝወጠንዎ ውዕላት ከይኰነ ኣይተርፍን።

ከምዚ'ሉም ብነጋውስ ዓድ-ሓበሻ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ብእተፈኸደሎም ሓገዝ እዮም ድማ፣ ናይባት ካብ ናይ ከበሳ ፖሊቲካዊ-ህይወት ዘይተፈለዩን- ህርኩት ተሳታፍነት እውን ነይርዎም ዝበሃሉን።

ኣብቲ ብዘመነ "እስባጋዲስ" (ወራሲኡ ንራእሲ-ሚካእል) ኣብ ዓድ-ሓበሻ ሕንፍሽፍሽ ዝኣተወሉ እዋናት፣ "ሓምድ" እተባህለ ናይብ-ሕርጊጎ፣ ዋንነት ናይ'ቶም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ መሬት-ዓድታትን "በለው" ንምርግጋጽ ብዝብል ምኽንያት-ተቓውሞን፣ እንጸር ባሕረ-ነጋሲ ቦኽሩ ከም እተላዕለ ይፍለጥ። ነዚ ግን፣ ብመሰረት ናይቲ ኣብ ከበሳ እተጋህደ ፖሊቲካዊ-ምውጣር ተጠቒምካ፣ ጽልዋታትካ ብዝያዳ እብቲ ቦታ ምስፋሕ ዝብል ውጥን እውን ኣይተሳእናን።

ባሕረ-ነጋሲ ቦኽሩ ብ 1823 ዓ.ም. ኣቢሉ ይኸውን፣ነቲ ናይብ ኣብ ኩናት ሰዓሮ።ቅሩብ እዋን ብድሕር'ዚ ግን፣ ብሞት ተፈለየ።

24)- ተስፋጽዮን እተባህለ ቦኽር ውላዱ እዩ ኣብ ግዝኣት ሓማሴን-ሰራየ ተተኪእዎ። ንሓድ-ሓደ መራሕቲ ሰራየ ዘላዓልዎ ተቓውሞታት ኣብ "ኩዶፈላሲ" ተዋጊኡ ብዝሰዓሮም ድማ፣ ግዝኣቱ ን 15 ዓመት ዝኣክል ኣመሓደሮ።

25)- ብድሕር ሞት-ተስፋጽዮን፣ ገብረክርስቶስ እተባህለ ሓው እዩ ወራሲኡ። ዓመት ኣብ ስልጣን ብዝጸንሐ ድማ፣ ብመሰረት "ጉልቲ-ናይብ" (ህዝብታት በለው ዝነብርዎን-ዝውንንዎን መሬት) ዝብል ክሲ፣ እንደገና ምስ "ናይብ-ሓምድ" ኩናት ተኸፍተ። ናይብ-ሓምድ ምስቶም ኣብ ገማግም ከበሳ ዝነብሩ ህዝብታትን- እንዳ ሃዚጋን- ሓቢሩ፣ ብርቱዕ-ሓይሊ ኣሲሉ፣ ሃንደበት ንከበሳ ወጺ። ገብረክርስቶስ ተገሪፉ ብምጽናሕ፣ ብዝበቅዕ ምክልኻል ኣይተኻእሉን።

ኣብ ክባብታት "ጻዕዳ-ክርስትያን" ኣብ ሞንጎ ህዝቡን- ህዝቢ ናይብን- ኣብ እተገብረ ኩናት ድማ፣ ተሳዒሩ ወጺ። ብድሕር'ዚ ዓወት፣ ናይብ-ሓምድ ንገብረክርስቶስ ኣብቲ ኣብ ቤት-መኸእ ኣቕምዎ ዝጸንሐ መደበሩ ቀሪቡ ዕርቂ ንምዝታይ፣ ዕድመ ለኣኸሉ። ገብረክርስቶስ፣ ሳዕቤን ናይ ዝበእሰ ዕዳ ብምፍራሕ፣ ነቲ ዕድመ ተቐቢሉ ብዝቐረበ፣ ናይብ-ሓምድ ብመቕሕ ኣሲሩ፣ ንጸዓዚጋ ብሓዊ ከቃጽሉ ኰነኖም። ብዘይካ'ዚ ድማ፣ ኩሎም'ቶም ክሳብ "ሞለዛናይ" ዝርከቡ ዓድታት-ሓማሴን፣ ምስ «እንዳ-ጸዓዚጋ» ሓቢርኩም ብዝብል ክሲ፣ ብራሲያ ከውረሩ ፈረዶም።

ብድሕር'ዚ ፍጻሜታት'ዚ፣ ነቲ ብቅድሚ 15 ዓመት ዘጋጠሞ ስዕረት ብዝኣክል ሕነኡ ፈድዩ-ኣሎኒ ዝበሎ መሰላቱ ኣብ ከበሳ ኣረጋጊጹ- ንገብረክርስቶስ ካብ ማእሰርቲ ለቒቑ- ዕርቂ ፈጺሙ- "ናይብ ሓምድ" ንገማግም-ባሕሩ ተመልሰ።

ስልጣን «እንዳ-ጸዓዚጋ» ከምዚ'ሉ ምስ ተንቓንቐ፣ ቅሩብ እዋን ብድሕር'ዚ ድማ ገብረክርስቶስ ብዝሞተ፣ ብ "ክንቲባይ-ዘርኣይ" ኣቢሉ«እንዳ-ሃዚጋ» ኣብ መረብ/ምላሽ ጸብለልትነቱ ከረጋግጽ ክኢሉ።

ኣብ ሞንጎ 1800-1840 ዓ.ም. ኣብ ዘሎ እዋናት፣ ኣብ ሓማሴን እዚ ፍጻሜታት'ዚ እናተኻየደ፣ ኣብ ኣምሓራ-ትግራይ ጸብለልትነት ንምርግጋጽ፣ ኣብ ሞንጎ ራእስታት- ወልደስላሴ/ ጉግሳ/ ዓሊ/ እስባጋዲስ/ ደጊያት-ውቤ/ ሓያል ናይ ስልጣን ውድድር እዩ ዝነበረ።

«ራእሲ-ዓሊ» ኣብ ልዕሊ መወዳድርቱ ምስ ተዓወተ፡ «ሳህሉ» ንእተባህለ ንጉስ ካብ ስልጣኑ ቀንጢጡ፡ "ዮሃንስ" ንእተባህለ መንእሰይ ወድ ዕስራ-ዓመት፡ «ንጉስ» ብዝብል ሽመት ሰየሞ። እቲ ስልጣን ግን፡ ንስሙ ድእ'ምበር ግብራውነትሲ ኣይነበሮን።

26)- *ኣይተ-ተወልደመድህን፡መሪሕነት* «እንዳ-ጸዓዚጋ» ብዝተፈቐደሉ፡ ብዜተ-ሰቡ ተደፋፊኡ ኑቲ ክንቲባይ-ዘርኣይ *ዘ-ሃዘጋ ሒዝዎ ዝጸንሐ* ስልጣን ንምምጻስ፡ ብዙሕ ፈተነታት ዘካየደ እዩ። እይተዓወተን ግና። ስለ'ዚ እውን ህዝብታት እንዳኡ ካብ መንበሩ ቀንጢጦም፡ ኣብ ክንዳኡ ን "ደጊያት-ሃይሉ" ከም መራሒ ናይቲ «እንዳ» ከኸውን *መረጽዎ*። ካብ ኣቦኡ ንላዕሊ፡ ሕልና-ትምኒትን ስለ ዘይተሳእኖ ድማ፡ እቲ እንዳ ብሓድሽ መንፈስ ተጸልወ።

27)- ክንቲባይ ቀለተ በዓል *ሃዘጋ*፥ ራእሲ-ሚካኤል ሴሑል ኣብ መጀመርያ ናይ ዝናኡ እዋናት ኣንጻር ባሕረ-ነጋሲ ቦኽሩ ኣብ ዝኸተተሉ፡ ክንቲባይ-ቀለተ ምስ ራእሲ-ሚካኤል እዩ ተሰሊፉ ዝነበረ። ብድሕር'ዚ'ውን፡ ኣብቶም ስዒቦም ነዚ ራእስ'ዚ ካብ ዘበልዎ ፍጻሚታት፡ ክንቲባይ-ቀለተ ካብ እግሩ ኣይተፈልየን። ኣብ ሃዘጋ ዝዝውተር ባህሊ ከም ዘዘንትዎ፡ ራእሲ-ሚካኤል ነዚ ኣገልግሎት ንምኽሓስ ኩን/ ኣንጻር ባሕረ'ጋሲ ቦኽሩ ብዝሓለፎ ጽልእን እዩ ንክንቲባይ-ቀለተ ጕይታ ምሉእ መረብ/ምላሽ ኢሉ ሰምዩዎ፡ ተባሂሉ ይዝረብ። እዚ ስያመ'ዚ ግን፡ ጭብጢ ኣይርከቦን። ብዝኾነ እውን ሓቂ እዩ እንተዝበሃል፡ ቀለተ ኣብ መረብ/ምላሽ እተዋህቦ ስልጣን ኣብ ግብሪ ዝወዓለሉ እዋናት ኣይዝከርን። ምኽንያቱ ኣብ መጀመርያ እዋናት ናይቲ ሚካኤል-ሴሑል ኣንጻር ቦኽሩ ዘንቀሎ ኩናት፡ ከምኡ ዝኣመሰለ ስልጣን ተፈቒዱሉ ይኸውን። እዚ ግን፡ ሚካኤል ኣብ ውሽጢ ህዝብታት-ሓማሴን ሕንፍሽፍሽ ንምዝራው፡ ኣንጻር ጸላእቱ እተጠቕመሉ ናይ ኩናት-መስርሕ እዩ ዝነበረ።

ነዚ ሓሳብ'ዚ ተደጋፊ ዝንብሮ ድማ፡ ከም ወዮ "ጀይምስ-ብሩስ" ዝገልጾ፡ ሚካኤል-ሴሑል ንእንዳ-ሃዘጋ ዘይከውን፡ ንደቅ'ቶም ጥንታውያን ጐይቶቱ (እንዳ-ጸዓዚጋ) እዩ ውርሻ ኣቦታቶም ኣጽዲቑሎም።

28)- ኣብቲ ኣንጻር "ባሕረ'ጋሲ ቦኽሩ ዘ-ጸዓዚጋ" እተኻየዱ ቃልሲታት፡ ንክንቲባይ-ተስፉ እዩ ከም መጠን ቦኽር-ገዛ፡ ሓላፍነት «እንዳ-ሃዘጋ» ክበጽሖ ዝግብኦ። ኩይኑ ድእ ሌጠቕ ኢሉ ብዘርኣዮ ተውህቦን-እተሓሳስበን፡ ህዝቢ-ሃዘጋ ኣብ ክንዳኡ፡ ንምንእሱ ሓው *ክንቲባይ ዘርኣይ መረጹ*።

ክንቲባይ-ዘርኣይ፡ ወግን "ናይብ-ሓምድ" ሒዙ ብምጽናሑ፡ ብድሕር ኩናት ጸዕዳ-ክርስትያን/ ምቅጻል ጸዓዚጋ/ ሞት ገብረክርስቶስ፡ እቲ ክሳብ መስመር "ምኽዓው-ቆሎ" ዝበጽሕ ግዝኣት ሓማሴን፡ ንዓኡ እዩ ተዋሂበዎ ዝነበረ። እቲ ካብ ምኽዓው-ቆሎ ንንየው ዝርከብ ሃብታም-ኣዝዩ እተሃዘበን ዓድታት ሰራየ ግን፡ ብኻልኦት ካብኡ ዝሓየሉን ወገናት እዩ ብድሮ ተጠሚቱ ጸኒሑ። ራእሲታት-ትግራይ እዮም ሹም-ነጋሪት እናለኣኹ፡ ብዝሒ ንብረት-ገንዘብን ሰራየ ክጨውዩ-ክራስዩን ጸኒሖም። እዚ እከይ'ዚ እንክፍጽሙ ድማ፡ ደገፍ ናይቶም ንሰራየ ከመሓድሩ ዝጸንሑ "ሹም-ጉልቲ" እውን ነይርዎም እዩ። እተጠቕሱ ሹም-ጉልቲ፡ ካብ ዝጸንሐ ጥንታዊ ጸብለልትነት "እንዳ-ጸዓዚጋ" ንምልቓቕ ኩን/ ኣብቲ ሃገር ብመሰል-መበቆል ዝጸንሐ ማዕርነትን-ናይ ስልጣን ምምሕዳርን/ ኮታ፡ ኣብቲ ሃገር ብዝጸንሐ ደሞክራሲያዊ-ልምዲ፡ መሰፍናዊ-ዝምባሊታቶም ክረውዩ ስለ ዘይክእሉ እዮም፡ ንምትእትታው ራእሲታት-ትግራይ ደጊፎም።

ክንቲባይ-ዘርኣይ፡ ነዊሕ እዋን እዩ ኣብ ሓማሴን ገዚኡ። ከም ዝበሃሎ'ውን 44 ዓመት እዩ ኣብ ስልጣን ጸኒሑ። ምምሕዳሩ ግን ቀጻልነት ኣይነበሮን። ምኽንያቱ ድማ ኣብዚ ነዊሕ ዓመታት'ዚ "እንዳ-ጸዓዚጋ" ኣቐዲሞም ብባሕረ-ነጋሲ ቦኽሩ ኣስዒቦም ድማ ብተሰፋጽዮን ወዱ ምስቶም ብኸፈው-መረብ ዝነበሩ ጸላእቶም ኣብ ኩናት ጸሚዶም ጸኒሖም፡ ዕርቅን-ተኹሲ ደውምባልን ዝኣመሰሉ ስምምዓት ኣብ ዝበጽሕሉ እዋናት፡ ንዓዶም ን «ጸዓዚጋ» እዮም ዝምለሱ ነይሮም። መላእ ዓድ'ውን ናብኦም የብል ስለ ዝነበረ፡ "እንዳ-ሃዘጋ" ክርሕቁ ይግደዱ'ሞ፡ ኣብ ድምበዛን ወይ ኣብ ሰምሃር ምስ ዝነብሩ እስላም ጽጉቕ ዝምድና ስለ ዝጸንሖም፡ ኣብኣቶም ይዕቆቡ ነበሩ።

29)- ኣብ ምምሕዳር ሓማሴን ነቦኡ ማለት ንክንቲባ-ዘርኣይ ዝወረሰ እዩ። ነዊሕ ግን ኣይጸንሐን። ምኽንያቱ ድማ፡ ኣብ ዛምቡቶ(ጽልማ)- ጸዓዚጋ- ገረሚ- እተኻየዱ ሰለስተ ተኸታተልቲ ግጥማት፡ ብ "ደጊያት-ሃይሉ" ተሳዒሩ፡ ስልጣን ናብ ደጊያት-ሃይሉ እዩ ተመሓላሊፉ። እዚ ድማ ንግዝኣት ሓማሴን እንደገና ክሳብ ወሰን-መረብ ኣብጽሖ።

ኣይተ-ሰሎሞን ብሕማም ኣብ ሃዘጋ እዩ ሞይቱ።

2ይ.ታሪኽ ናይቲ ኣብ ሞንጎ ደጊያት-ሃይሉን/ራእሲ ወለንኪኤል(ወልደሚካኤል) ብ ነጀው መረብ-ምላሽ ጸብለልትነት ንምርግጋጽ እተገብረ ቃልሲ።

1ይ-ምዕራፍ

1805 ዓ.ም.?

ከም ዝመስሎ «ደጊያት ሃይሉ ዘ-ጸዓዘጋ» ኣብ መጀመርያ ዓመታት ናይ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን እዩ ተወሊዱ። ምናልባት'ውን ብ 1805 ዓ.ም. ከይኮነ ኣይተርፍን[5]።

እዚ ድማ፡ "ራእሲ-ወልደስላሴ" ይገዝኣሉ ዝነበረ እዋናት ምዃኑ ይዝከር።

ዓሰርተው-ሾሞንተ ዓመት ብድሕር'ዚ ኣቢሉ፡ራእሲ-ወልደሚካኤል ወይ ከምቲ ብልምዲ ኣሕጺርካ ዝበሃሎ "ወለንኪኤል በዓል ሃዘጋ" ይውለድ። ብልክዑ ድማ፡ ኣብ ሳልሳይ ዓመት ደጊያት "ገረንፍኤል-ተምቤናይ"(ገብረ-ሩፋኤል)ኣብ ስልጣን ዝመጻሉ እዋናት እዩ ተወሊዱ። ደጊያት-ገረንፍኤል፡ ብድሕር ሞት "ወልደስላሴ" ን ሸድሽተ-ዓመት ዝኣክል ኣብ ተምቤን/ ኣብ ክፋል ናይቲ ብፍላይ ከም ትግራይ ዝፍለጥ ወገናትን እዩ ገዚኡ።

1818 ዓ.ም.?

ከንቲባ ዘርኣይ በዓል-ሃዘጋ ብዝሞተ፡ ደጊያት ገረንፍኤል ተምቤናይ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝለዓለ ስልጣን ኣብ ሰሜን-ኢትዮጵያ ብምንባሩ፡ ንወድ-ከንቲባ ዘርኣይ ማለት ንኣይተ-ሰሎሞን እዩ ምምሕዳር ሓማሴን ፈቒድሉ። እዚ ድማ ንሸውዓተ-ዓመት ኣገልገለ። ኮይኑ ግን ኣብቲ እዋን'ቲ«እንዳ-ጸዓዘጋ» ኑቲ ብከንቲባ-ዘርኣይ ዝወረዶም ስዕረት-ክሳራን ሰጊሮም፡ ድሮ ደቅ-ኣይተ ተወልደመድህን ተባዓት-ሰብ ተበግሶን ዝኾኑ ብጹሓት ኣጉባዝ እዮም ዝነበሩ። ስለዚ ምምሕዳር ኣይተ-ሰሎሞን፡ ንስሙ ድኣ'ምበር ግብራውስ ክበሃል ኣይከኣልን። ብኣንጻሩ ግን ተወልደመድህን መራሒ እንዳ-ጸዓዘጋ፡ ዋላ'ውን ትሑት-ዕጉስን መንፈስ ሃልዩዎ፡ ኑቲ ኣብ ኩናት ጻዕዳ-ክርስትያን እንዳኡ ዘጥፍኦ ጸብለልትነት (ዳርጋ ልኡላዊ-ስልጣን) ዳግም ንምምላስ ቆራጽን-ሓያል ተበግሶን ኣይውሰድ፡ ኣብ ሓማሴን ኲን-ኣብ ሰራየ፡ ግብራዊ ስልጣን እዩ ዝነበሮ።

1837-38 ዓ.ም.

ኣይተ ሰሎሞን ኣብቲ እዋን'ቲ ኣረጉን ብሕማም ተጠቒዑን፡ክልተ-መንእሰያት ኣወዳት ነበርዎ። ወልደሚካኤል ወድ 15 ዓመት- መርእድ ድማ 14 ዓመት- ዝኸውን ዕድ-መእም።

ብድሕር ሞቱ፡ መልክዕ ኲን-ትሕዝቶ ናይ ዝነበሮ ስልጣን ብምሉኡ፡ ናብቲ ተጻራሪኡ እንዳ-ጸዓዘጋ ከም ዝምለስ፡ኣይዘንግዖን። ስለ'ዚ ዓርኩ-ኣማኒኡ ንዝኾነ "ወልደጋብር" እተባህለ ከንቲባይ ድምበዛን ጸዊዑ፡ ስድራኡ ኣማሕጸኖ። ብዘይካ'ዚ፡ ደቁ ዓብዮም ክጥቀሙሉም ኣብ ዝበጽሕሉ እዋን ክረክቡዎም ንማለት፡ 40 ጠበንጃ ንሓደራ ከጽናሓሉ ተላበዎ (ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ዓድ-ሓበሻ 40 ጠበንጃ ማለት፡ ምልክት ሃብቲ-ሓይሊ-ስልጣን- እዩ ዝነበረ)። ክልተ-ወርሒ ብድሕር'ዚ፡ ኣይተ-ሰሎሞን ዓረፈ።

---

[5]- ብደቀ'ባት፡ ልክዕ ዕለታት ምውሳን ኣይከኣልን። ብሕልፊ መረብ/ምላሽ ኣብ ታሪኽ ኢጣልያ ካብ ዝኣቱ፡ ኣገዳስነት ናይ ዘለዎም ኣብዚ ዛባ እተኻየዱ ፍጻሜታት፡ ዕለታቶም ምፍላጥ ኣሸጋሪ እዩ። ወረ'ውን እዚ ብልክዕ ዕለታት ዘይምውሳን፡ ኑቶም ካብ ራእሲ-ሚካኤል(1750 ዓ.ም.)ጀሚሩ፡ ክሳብ ሃጸይ-ዮሃንስ ጸብለልትነት ንግስነት-ትግራይ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ንምርግጋጽ ከዋስኡ ዝጸንሑ ዓበይቲ መራሕቲ እውን ዝምልከት እዩ።
ኣብቲ ብድሕር'ዚ ናይ ታሪኽ-ሓበረታ ዝቐርብ ምልክታ ቍ.2- እተፈላለዩ ደረስቲ ብምንጽጻር ክእከቡ ዝኽእሉ በብዓመት-ምህረቱ እተኻየዱ ፍጻሜታት ብልክዕ ዘጽሩ ሓበረታ፡ ንኣንባቢ ቀሪቡ'ሎ።

3ይ- ሰሌዳ

እንዳ-ጸዓዘጋ ካብ ኣይተ-ተወልደመድህን ኣቦኡ ንደጊያት-ሃይሉ፡ ክሳብ 1892 ዓ.ም. ዘሎ እዋን።

1ይ ኣይተ-ተስፋጽዮን፡ ብ 25 መስከረም 1858 ዓ.ም. እንግሊዝ እንጉ-ንጉስ ኣብ ዘዐረዶ ክናት፡ ኣብ ዕዲጋ ጸዓዘጋ እዩ ተቐቲሉ። ከም ዝበሃሉ ድማ ምስ ተማረኸ እዩ ንጉስ ኣረጂንዎ።	1ይ ልጅ ካሳ-ምስ ኣቦሓጎኡ ደጊያት ሃይሉን፡ሓወቦኡ ልጅ ኣብይ/ልጅ-ሽፋራ ኣብ ወኪድባ(ጽድያ 1877) እንጻር ወልደንኪኤል ኣብ እተገብረ ክናት እዩ ተቐቲሉ። ሓደ-ወላድ ዓዲቶ እዩ ዋይቱ። 2ይ ወይዘሮ ታርታ-ልጅ ወብ ምስ እተባህለ ሰመድ ሃሺይ-ዮሃንስ ተዋሲባ፡ ሓድጊ ከይገደፈት እያ ሞይታ።
2ይ ወ/ሮ ቅዱሳን............	ሓድጊ-ወላድ ዘይብላ እያ ሞይታ
3ይ ወ/ሮ ኣስፍሃ............	. . . . .
4ይ ወ/ሮ ማረሽ............	ተወልዳይ ወልደ ካፍሊ ምስ እተባህለ በዓል ድምበጋ ካብ እንዳ-ተኸለሃይማኖት ተዋሲባ፡ ኣርባዕተ-ደቂ ዝወለደት እያ፡ 1ይቲ ወ/ሮ ከተተም እተባህለት ምስ 'ዕጅል' በዓል ዓድ-ክፍሉዎም ኣብ ዋራ(ድምበጋ)ዝውለድ እያ ተዋሲባ። 2ይ ልጅ ኣብይ፡ ምስ ኣበራ ሓቢሩ ካብ ሰራዊት ኢጣልያ እምሊጡ ንተጀውም እተባዕለ እዩ። ንሱ እዩ'ውን ንኣበራ ሓቢልዎ ዝበሃል። 3ይ ልጅ ተድላ፡ እዚ'ውን ምስ ኣበራ ሓቢሩ እንጻር ኢጣልያ እዩ ተላዒሉ ነይሩ። ተማሪኹ ግን፡ ንሕልፈት ተፈርደ። ዕድሜኡ ትሕቲ 18 ዓመት ብምንባሩ። 4ይ ወ/ት ሙሉ፡ ገና ሀጻን እያ።
5ይ ወ/ሮ ኣበራሽ............	ኣብ ኣስመራ እዩ መናበሪኣ። ማእዶን ልጅ-ሃይሉ እያ። ካብኡ'ውን ዳርጋ 12 ዓመት ዝዕድሜኡ ልጅ-ኣብይ እተባህለ ወላድ ኣለዋ። 'ልጅ-ሃይሉ' ንክዓምበረስ ተስፋ-ማርያም በዓል-ሰረዋ፡ ወድ-ሓው ምኻኑ እዩ።
6ይ እንድሮና ጓል-ኣንስተይቲ...	ብዘይና ስለ ዝሞተት፡ ሀልዋት ኣዝማዶ'ውን ስማ ኣይተዘከረ
7ይ ደጊያት ኢማም፡ ብሕማም እዩ ሞይቱ።ኣብቲ ኣቦኡ ነፂሕ ዝጸንሓሉ ናይ መጀመርያ ማእሰርቱ፡ ብትእዛዝ ደጊያት-ወብ ምምሕዳር መረብ/ምላሽ ተዋሂብዎ ነበረ።እቲ መንግስቲ ግን፡ ንሰሙ ድኣ'ምበር፡ሃገርሲ ኣብ ዓዘቕቲ-ፋሉልንት እዩ ጥሒሉ ዝነበረ።	1ይ ደጊያት ተሰማ፡ኢጣልያ ኣስመራ ብቅድሚ ምውራርም (3 ነሓሰ 1889 ዓ.ም.) ብመንግስቲ-ኢጣልያ ዝኣመነ እዩ ነይሩ።ብመስመር-ወርሻ፡ መራሒ ጉልቲ ታክስ-ዓዛ ምኻኑ ይፍለጥ። መዝነቱ ግን፡ኣብ መብዛሕትኡ ክፍሊ-ሓማሴን እዩ ከዘውትር ጸኒሑ።ኣብ ዝሰዓበ እዋናት እንጻር-ኢጣልያ ብዙንቀሉ ውዲታት ተኣሲሩ ንሃገር-ጣልያን እዩ ተላኢኹ። ካብ ጓል 'ነብረ-እድ ወልደጊዮርጊስ 'በዓልቲ-ቤቱ፡ሰለስተ-ደቂ ዝወለደ እዩ።ካብኣቶም ግና ሓደ ብህይወቱ ዘተረፈ..... 2ይ ለሚንወሃ፡ ካብ ጎረድ እትውለድ ጓል-ወሰን እያ። ምስ ፊትወራሪ-ኣይኸን ኢን እማሃ እተባህለ ተሸባሺ 4ይ በጠሉኒ ደቀ'ባት ተመርዕያ እትፈትሖት፡ በዓልቲ ሕማቕ-ኣመላት እያ
8ይ ወ/ሮ ጥሩ	ኣዝያ ምልክዕቲ-መስተውዓሊት ሰበይትን እያ። ጽሕፈት ኣምሓርኛ-ቋንቋ ዓረብ ዝመለኸት፡ ክሳብ የሩሳሌም እውን ነጊዳ ይብልዋ። ኣብ ሕልፍ ተረኽ፡ ብዙሓት ሰብኣት ከም ዘለተወት

ኣዝማች ኣበራ፡ ናትና(ኢጣልያ)50-ሐለቓ ናይ ዝሓለ ዋፍራ መራሒ እዩ ዝነበረ። ኣብ ባጽዕ ተማሂሩ፡ ብመጠኑ ቋንቋ-ጣልያን ይጽሕፍ-የንብብ-ይዛረብን እዩ። ብዙሕ ዕድላት ስለ እተዋህቦ(ብኢጣልያ)፡መጠን ዘይብሉ ጠለባት ክቕርብ ጀመረ ሓደገኛ ምኻኑ ተፈሊጡ፡ ብረቱ ናይ ምቕንጣጥ ተኸእሉ ይሕሰበሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ መን ከም ዝመኸሮ ብዘይፍለጥ፡ ብበጺሑ ተተባቢሉ ብ 31 ጥሪ-1892 ዓ.ም. ብሰይቲ ሰዓብቱ ኣኸቲሉ ካብ መሰርዕ-ኢጣልያ ሰሊቡ እምሊጡ። ኣብ ሓጺር እዋን ተኸተልቲ ኣዛይዱ፡ ዳርጋ 100 ናይ ዝኾኑ ቀራጽት-ዕጡቓትን ሸፋቱ መራሒ ምኻን በቕዐ።

ሰራዊት-ኢጣልያ ይከታተልዎ ስለ ዝነበሩ፡ ኣብቲ ጽንኩር መረትሽውዓት-ዓንሰባ ተዓቑቡ ድሕር ምጽናሕ፡ዋሊታ መድሃኒት ኣብ እተባህለ ቦታ ብ 16-መጋቢት 1892 ዓ.ም. ኣድብዩ ጸኒሑ ን«ግብጣን በቲኒ» ቀተሎ። ምስኡ ፍሉይ ቅርሕንቲ እዩ ጸኒሕዎ ብምንተብኡ፡ እቲ ብረቱ ይቀንጥ ዝብል ሓሳብ፡ብበቲኒ እዩ ተረቢ ዝነበረ።

ምክትታሉ እናጸንዐን-እናጸበበን ክዀይድ ድሕር-ምጽናሕ «መጊል» ኣብ እተባህለ ቦታ ተጠቒዑ ሰራዊቱ ተበታቲኑ። ንሱን ውሑዳት እሙናቱን ግን፡ ንመረት-ዓጋመ ኣምሊጦም፡ እንዳ ራእሲ-ስብሓት እተባህለ ርሕቕ ዝበለ ዘመዱ ተዓቑቡ፡ ኣብኡ ይነብር።

ልጅ-ወልደስላሴ፡ ህጻን ወድ-5 ዓመት እዩ። ምስ ወላዲቱ ኣብ ኣኽሱም ይነብር። ኣዲኡ፡ ኣብ ካልኣይ ሓዳራ ምስ ፊትወራሪ-መሻሻ እትባህለ እያ ተዋሲባ።

አይተ ተወልደመድህን

ዝበረ።

2ይ ለሚንውሃ፡ ካብ ገረድ እትውለድ ጓል-ወሰን እያ። ምስ ፊትወራሪ-ኣይኼን ኣጋ እማማ እተባህለ የሸባሺ 4ይ በጦሎኒ ደቀ'ባት ተመርዕያ እተፈትሐት፡ በንልቲ ሕማቕ-ኣመላት እያ

8ይ ወ/ሮ ጥሩ .... እዚያ ምልክዕቲ-መስተውዓሊት ሰበይትን እያ። ጽሕፈት ኣምሓርኛ-ቋንቋ ዓረብ ዝመለኸት፡ ክሳብ የሩሳሌም እውን ነጊዳ ይብልዋ። ኣብ ሕሉፍ ታሪኽ፡ ብዙሓት ሰብኡት ከም ዘእተወት ይፍለጥ። ህልዊ ሓዳራ "ደስታ" እተባህለ ብድሕር'ዚ መርዓ ልጅ- ዝብል መዓረግ እተሰለመ እዩ።
ወ/ሮ ጥሩ፡ በዓይ-ማሙ-ኑጋሽ- እተባህሉ ሰለስተ-ደቂ ዝወለደት እያ። በኸር-ውላዳ፡ መንእሰይ ወድ-12 ዓመት እዩ።

9ይ ወ/ሮ ሻኹ .... ኣብ ኣስመራ 'ትንብር ዘይወለደት ማእምን እያ።

10ይ ወ/ሮ ደመቀሽ........ ኣብ ሃገር-ኣምሓራ ተመርዕያ፡ ኣብኡ እያ ሞይታ። ሓድጊ ኣይገደፈትን።

11-12 ክልተ ኣዋልድ.......ብህጻውንተን ዝሞታ፡ ብኣዝማደን እውን ስመን ተረሲዑ ዝመጸ።

13 ወ/ሮ ኣምለሰት..........ኣብ ዓድ-ኣምሓራ እያ ትነብር። መዋቲ በዓል-ቤታ ልጅ-ካሳ እተባህለ እዩ ዝነበረ። ውላድ ግን፡ ኣይወለዱን።

14 ወ/ሮ ብስራት...........ምስ እኖኣ ሓቢራ ኣብ ኣስመራ እያ ትነብር። ደጊያት-ከበደ ምስ እተባህለ በዓል 'ሰሜን' ተዋሲባ፡ ገና ኣብ ዕሸሉ ዘሎ ህጻን ዝወለደት እያ። እቲ ቆልዓ ግን፡ ምስ'ቦኡ እዩ ዝነብር።

2ይ ኣይተ ገብረማርያም (ብህድያዊ ሞት ዝሞተ)

1ይ ልጅ ካሕሳይ............ ደጊያት ኢማም ዝወለዶ በኹር-ውላድ(ደጊያት ተሰማ) ሕጋዊ-ወራሲ ከኸውን ዝምተንብኦ፡ ህጻን ኣብ ንኡስ ዕድሜኡ እዩ ተገዲሉ ልጅ ካሕሳይ ኣብ ክንዲኡ ግዝኣት መረብ/ምላሽ ዝሓተተ እዩ። ሃጸይ-ዮሃንስ ግን ነዚ ጠለብ'ዚ ስለ ዝነጸገ፡ ልጅ ካሕሳይ ኣንጻር ንጉስ ተላዒሉ ምስ "ዓርቀይ-በይ" እተባህለ ኣመሓዳሪ ከረን ብምስጢር እናተራኸበ፡ ደገፍ መንግስቲ-ግብጺ ሓተተ። እዚ እናካየደ እንከሎ ግና፡ ሰንብቱ ይፍጽምዎ ኣብ ዝነበሩ ሓደ ካብ ራስያታቶም፡ ክልተ-ሰላማውያን ደቂ ዓድ-በዙሓንስ(ጽልማ) ተቐቲሎ'ሞ ህዝቢ ዓድ-በዙሓንስ ንፍትሒ ጥርዓን-ኣቤቱታኡ ናብ ንጉስ ኣቕረበ። ዮሃንስ እቲ ጉዳይ ብዕርቂ ሰላም ምፍታሑ ብዝብል ኣምሳል ዕድመ ልኢኹ ናብኡ ኣቕረቦ። ብዙተረክቦ ድማ ኣረሸንዎ። ውላድ ኣይገደፈን

2ይ ልጅ ንጉስ...............ኣብ ጥንታ ኢጣልያ ዓስኪሩ የገልግል ነበረ። ማጆረ ዲ ማዮ ኣብ ዝመርሖ ኩናት ተሰሊፉ እናተዋግአ ብወርሒ ታሕሳስ 1889 ኣብ ጋምዓብጣ(ትግራይ) ዝወዓለ ኩናት እዩ ሞይቱ። ብመንግስቲ-ኢጣልያ ናይ ጡረታ-መሰል ተፈቒድዎም ምስ ወላዲቶም ሓቢሮም ኣብ ጽዓዘጋ ዝነብሩ ክልተ-ውላድ ዝሓደገ እዩ.. 1)ውዓ፡ ህጻን 4-5 ዓመት 2) ግብረቱ፡ ' 3 ዓመት ብድሕር ሞትኣቦኡ እተወልደ

3ይ ኣዝማች ጉብሳ.......... ኣብ ትሕቲ ኣገልግሎት ኢጣልያ ዝርከብ ሓለቓ-ጭፍራ 50 ሰብ-ጠበንጃ እዩ። ኣብ ጽዓዘጋ እዩ መናብርኡ። ኣምለሰት ምስ እተባህለት ጓል ደጊያት-ሰሀቱ በዓል ካርንሽም ተዋሲቡ፡ ኣብ መጀመርታ ታሕሳስ 1897 ሓደ-ውላድ ዝወለዱ እዮም .... | ዓምደ-ሃይማኖት

4ይ ወ/ሮ ጀመር............ገብርኣብ ምስ እተባህለ ሓው ብሻይ-ደባስ በዓል ጭዓረጺ(ድም-በሃን) እተዋሰበት እያ።

5ይ ወ/ሮ ኣምለሰት.........በራኺ ወድ-ኪዳነማርያም ምስ እተባህለ በዓል ዓድ-ዘን(ካርንሽም) እያ ተዋሲባ።

6ይ ልጅ ወልደስላሴ ....18-19 ዓመት ዝዕድሜኡ ጎበዝ እዩ። በዲኡ ካብ ወ/ሮ ታከለ ስለ ዝወለደ፡ ሓው ራእሲ-መንገሻ በዓል ትግራይ እዩ።
ወይዘሮ ታከለ፡ ውሩይን-ፍሉጥን ካብ ዝነበረ ሰዒቡ ግን እተኻኸመ ስድራ-ቤት እትውለድ፡ ሃጸይ-ዮሃንስ ገና በላምበራስ ኣብ ዝነበሩሉ እዋናት፡ ኣብ ቤት-ኣቦኡ ገረድ ተቖጺራ ተገልግል ነበረት። ምስ ደጊያት-ጉብሳ ሓው ዮሃንስ ኮነ/ ምሳኡ ምስ ዮሃንስ ብዝነበራ እተደባለቐ ሲጋዊ-ርክባት፡ ኣቦ ናይቲ ኣብቲ እዋን'ቲ እተወልደ ራእሲ-መንገሻ፡ መኖም ምዃኑ ብልክዑ ምፍላጥ ኣይከኣልን። ሃጸይ-ዮሃንስ ኣብ ኩናት መተማ ምስ ተወግአ፡ ኣብ ጻዕረ-ሞቱ እዩ ንመንገሻ ከም ውላዱ ኣሚንሉ።
- ራእሲ-ወለንኪኤል ሓይሊ ደሊዑ ክነ ኣብ ዝበሉ እዋናት፡ «እንዳ-ጸዓዘጋ» ንትግራይ ከዕቅቡ ተገዲዶም ኣብ ዝነበርሉ፡ ኣይተ-ገረማርያም እውን ብግዴኡ ምስ ወ/ሮ ታከለ ስለ እተራኸበ፡ ልጅ-ወልደስላሴ ይውለድ።
ተፈጥሮኡ ዘይትስን፡ ቢቲ ምስ ራእሲ-መንገሻ ዝኣስር ዝምድና እውን ዝምኩሕ ዜጋ እዩ። መንፈሱ ስለ ዘይቅስን ድማ፡ ሓንሳብ ምስ መንገሻ፡ ጸኒሑ ምስ ራእሲ-ስብሓት ኣብ ዓጋመ፡ ተጺሉ'ውን ምስ ተኸለሃይማኖት ንጉስ ጎጃም ክነብር ጸኒሑ፡ እንደገና ናብ መንገሻ እዩ ተመሊሱ። ካብዚ'ውን ሓደ ካብ ወታሃደራት ራእሲ-ኣሉላ ቀቲሉ፡ ኣምሊጡ ናብ ጉብሳ ሓው ተመሊሱ፡ ጋር-ነብሲ ከፈሉም እዮም ተዓንቀም።

2ይ ኣይተ ገብረማርያም

[illegible]
መጀመርታ ታሕሳስ 1897 ሓደ-ውላድ ዝወለዱ እዮም .... | ዓምደ-ሃይማኖት

4ይ ወ/ሮ ጀመር.............. ንብርኣብ ምስ እተባህለ ሓው ባሻይ-ደባስ በዓል ጭዓረሺ(ድምበዛን) እተዋሰበት እያ።

5ይ ወ/ሮ ኣምለሰት.......... በራኺ ወድ-ኪዳንማርያም ምስ እተባህለ በዓል ዓድ-ዘን(ካርንሽም) እያ ተዋሲባ።

6ይ ልጅ ወልደሰላሴ ....18-19 ዓመት ዝዕድመኡ ጎበዝ እዩ። በዲኡ ካብ ወ/ሮ ታከለ ስለ ዝወለደ፣ ሓው ራእሲ-መንገሻ በዓል ትግራይ እዩ።
ወይዘሮ ታከለ፣ ውሩይን-ፍሉጥን ካብ ዝነበረ ሰዓቡ ግን እተዳኸመ ስድራ-ቤት እትውለድ፣ ሃጸይ-ዮሃንስ ገና በላምባራስ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፣ ኣብ ቤት-ኣቦኡ ገረድ ተቖጺራ ተገልግል ነበረት።
ምስ ደጊያት-ጉብሳ ሓው ዮሃንስ ኩነ/ ምሳኡ ምስ ዮሃንስ ብዝነበራ እተደባለቐ ሲጋዊ-ርክብት፣ ኣቦ ናይቲ ኣብቲ እዋን'ቲ እተወልደ ራእሲ-መንገሻ፣ መኖም ምዃኑ ብልክዑ ምፍላጥ ኣይከኣልን። ሃጼይ-ዮሃንስ ኣብ ኩናት መተማ ምስ ተወግአ፣ ኣብ ጻዕረ-ሞቱ እዩ ንመንገሻ ከም ወላዱ ኣሚኑሉ።
- ራእሲ-ወለንኪኤል ሓይሊ ደሊቡ ከሎ ኣብ ዝበለጹ እዋናት፣ «እንዳ-ጸዓዚጋ» ንትግራይ ክዕቅቡ ተገዲዶም ኣብ ዝነበርሉ፣ ኣይተ-ገረማርያም እውን ብግዲኡ ምስ ወ/ሮ ታከለ ስለ እተራኸበ፣ ልጅ-ወልደሰላሴ ይውለድ።
ተፈጥሮኡ ዘይትሰን፣ ቡቲ ምስ ራእሲ-መንገሻ ዝኣሰሮ ዝምድና እውን ዝምክሕ ዜጋ እዩ። መንፈስ ሰለ ዘይቀሰነ ድማ፣ ሓንሳብ ምስ መንገሻ፣ ጸኒሑ ምስ ራእሲ-ስብሓት ኣብ ዓጋመ፣ ቀጺሉ'ውን ምስ ተኽለሃይማኖት ንጉስ ጎጃም ከነብር ጸኒሑ፣ እንደገና ናብ መንገሻ እዩ ተመሊሱ። ካብዚ'ውን ሓደ ካብ ወታሃደራት ራእሲ-ኣሉላ ቀቲሉ፣ ኣምሊጡ ናብ ጉብሳ ሓው ተመሊሱ፣ ጋር-ነብሲ ከፊሉ'ም እዮም ተዓንቀም።
ምስ ኢጣልያ ካብ ዝሰለፈ ደጊም 10 ወርሒ ምዃኑ እዩ።

3ይ ኣይተ ኣሉላ (ብሕማም ዝሞተ)

1ይ ልጅ ተኽለሃይማኖት..... ውላድ ኣይወለደን። ዳርጋ ዓዊሩ'ውን ኣብ ጸዓዚጋ ይነብር።

2ይ ልጅ ኣብይ..............
3ይ ልጅ ሽፋረ..............
ብመንእሰያቶም፣ ኣብቲ ሓወቦኦም ደጊያት-ሃይሉን/ ልጅ ካሳ እተባህለ ወድ-ወዱን(ወድ ኣይተ-ተስፋጽዮን) እተቓትልሉ ኩናት ወኪሮም እዮም ተቐቲሎም። ሓደኒ ውላድ ኣይገደፉን።

4ይ ወ/ሮ ድንኳን............ ገዛኡ ውላድ እያ ሞይታ።

4ይ ኣይተ ወልደገብርኤል (ብሕማም ዝሞተ)

1ይ ልጅ በራኺ.............. ዓሰከር "ባንዳ-ኮማንዶ" እዩ። 3 ወይ 4 ዓመት ዝዕድመኡ ጓል ዝወለደ እዩ.. | ኩላ-ድማብ

2ይ ልጅ ተሰማ.............. ብፍቓድ መንግስቲ-ኢጣልያ፣ ብ 1890 ዓ.ም. ምስ ራእሲ-መኩንን ብሓባር፣ ንሽዋ ተላኢኹ ነበረ። ዛጊት ኣብኡ ይነብር።
ጉብሳ ወድ ኣይተ-ገረማርያም ኣብ ዝመርሖ ጭፍራ ዝነበረ፣ ሓደ ውላድ ዝወለደ እዩ .... | ልጅ-ቦኸረ

3ይ ወ/ሮ ትብለጽ(ዓባይ)..... ህዓው-መናብርኣ፣ ኣብዚ ኣይበፃሕን።

4ይ ወ/ሮ ትብለጽ(ንእሽቶ)... ገብረትንሳኤ ምስ እተባህለ ወድ ቀሺ እያሱ በዓል ሽማንጉስ(ድምበዛን)፣ እያ ተዋሲባ።

5ይ ወ/ሮ ወርቅነሽ........... ያቆብ ምስ እተባህለ በዓል ኳንደባ(ካርንሽም) እተመርዓወት እያ።

6ይ ወ/ሮ ሰበን .... ብላታ-ገዝወይ ምስ እተባህለ ዜጋ ተመርዕያ እትፈትሖት እያ።
ብላታ ገዝወይ፣ ምስ ኣዝማች-ኣበራ ሓቢሩ ካብ መሳርዕ-ኢጣልያ ኣምሊጡ ከብቕዕ፣ ብድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ግና ተመሊሱ ኢዱ ብምሃቡ፣ ምሕረት ተገብረሉ።

5ይ ወይዘሮ ኢለን፥ ምስ ኣይተ-ሃይሉ በዓል ደብረ-ሓርማዝ ተዋሲባ፣ ልጅ ተሰማ እተባህለ ውላድ ሓዲጋ ዝሞተት እያ።
ልጅ-ተሰማ፣ ኣብቲ በዝማች-ጉብሳ ዝምራሕ ጭፍራ-ደቀ'ባት ዝነበረ እዩ።

ተመልከት፥ ንሓድ ሓደ መብርሂታት ክሕግዝና ተባሂሉ፣ ክፍለተ ከም ዝግበኦ፣ እቶም ቀዳሞት ሽድሽተ ደቅ-ደጊያት ሃይሉ፣ ማለት- ኣይተ ተስፋጽዮን- ወ/ሮ ቅዱሳን- ወ/ሮ እሰፋሃ- ወ/ሮ ማረሽ- ወ/ሮ ኣበራሽ- እታ ብህጻና ዝሞተት ስማ ዘይተፈለጠ ጓሉን፣ ካብ ቀዳመይቲ በዓልቲ-ቤቱ ማለት ካብ ወ/ሮ ኢለን ጓል ኣይተ-ሓጐስ በዓል ጸዕዳ ክርስትያን እተወልዱ እዮም።
እቶም ዳሕረዎት ሽድሽተ፣ ማለት ደጊያት ኢማም- ወ/ሮ ጥሩ- ወ/ሮ ሻሹ -ወ/ሮ ደመቀሽ -ከምኡ'ውን እተን ኣብ ቍ.ታት 11- 12 እተጠቕሳ ክልተ ዝሞታ ህጻናትን፣ ካብ ዳሕረዋይ ሓዳር ደጊያት ሃይሉ ማለት ካብ ወ/ሮ ወርቃ እዮም ዝውለዱ።
ወ/ሮ ወርቃ፣ ጓል ኣይተ-ተሰፋ በዓል ዓድ-ኺላን/ ወይዘሮ ምቁርን እያ። ወ/ሮ ምቁር ብግዲኣ፣ ጓል ኣይተ-ገረመስቀል በዓል- ዓረዛ እያ።
ወ/ሮ ኣምለሰትን- ወ/ሮ ብስራትን ኣብ ቍጽርታት 13ን 14ን ተጠቒሰን ዘለዋ፣ ብወሰን እተወልዳ እየን።
ወ/ሮ ወርቃ፣ ካልኣይቲ በዓልቲ ቤት ደጊያት-ሃይሉ፣ ኣብ ሓማሴን ዛጊት ከም ኣብነት ቃል-ኪዳን/እምነትን/ እትዝከር ወይዘሮ እያ። በዓል-ቤታ(ደጊያት-ሃይሉ) ብደጊያት ውቢ ኣብ ሓደ እምባ ተኣሲሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፣ ጸጕራ ላጽያ ብጸምን-ጸሎትን ዓመታት ድሕር ምጽናሕ፣ ኣብቲ ናይ መወዳእታ እዋናት ማእሰርቲ በዓል-ቤታ፣ ደጊያት-ውቢ ብክንድ'ዚ ዝኣክል እምነት-ጽንዓትን ተደናጊጹ፣ ምስ ሰብኣያ ሓቢራ ክትእሰር ፈቒዱላ።

4ይ- ሰሌዳ።

«እንዳ-ሃዘጋ» ካብ ከንቲባ-ዘርኣይ ኣባሓጎኡ ንራእሲ-ወልደሚካኤል/ ክሳብ 1892 ዓ.ም. ዘሎ እዋን።

1ይ ራእሲ ወልደሚካኤል

1ይ ደጊያት መኮንን .... ብወሰን እዩ ተወሊዱ። ሓንቲ ካብ ኣዋልድ ሊቀ-መኳስ ዶልማ በዓል ትግራይ ምስ ተመርዓወ፡ ኣብ ከናት-ወኪድባ እዩ ተቐቲሉ። ኣብ መሬት-ዓጋመ ምስ ራእሲ-ሰብሓት ዝነብር ወድ-18-19 ዓመት ዝዕድሜኡ ጎበዝ ሓዲኑ እዩ ሞይቱ......... ልጅ- ኣባይ

2ይ ደጊያት መሰፍን.......... ካብ ወ/ሮ ኩላ-ድሃብ በዓልቲ ዓድ-ንእምን እተወልደ እዩ። ወ/ሮ ርሻንይ እተባህለት በዓልቲ ዓድ-ኣሎስ(ደምበዛን) እያ በዓልቲ-ቤቱ ዝነበረት። ኣንጻር ኢጣልያ ውጊያት የካይድ ብ-ምንባሩ፡ ኣብ ኢጣልያ ተኣሲሩ፡ ኣብቲ ሃገር እዩ ሞይቱ። 12-13 ዓመት ዝዕድሜኡ ወድን-ጓልን ዝወለደ እዩ። እቲ ወዲ ካብ ወ/ሮ ርሻንይ ይውለድ። ኣብ ሀልዊ እዋን (ሽዑ) ምስ ኣባሓጎኡ ራእሲ-ወልደሚካኤል ኣብ ዓድዋ ይነብር። እታ ጓል፡ ካብ ገረድ እትውለድ ጓል-ወሰን እያ። ምስ ወ/ሮ ርሻንይ ኣብ ሃዘጋ ትነብር።
እቲ ወዲ፡ በየነ እተባህለ፡ ነዊሕ እዋን ምስና(ኢጣልያ) ኣብ ኣስመራ እዩ ነይሩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ "ኣባ የኖሚ" ዝመ-ሃር ሀርኩት ተመሃራይ እዩ ነይሩ። ንሓለዋ ግን፡ ኣዝመች-ኣበራ እዩ ተረኪብዎ ዝነበረ። ኣዝማች ኣበራ፡ ወራሲ «እንዳ-ጸዓዘጋ» ብምንባሩ፡ ተጻራሪ ቤተ-ሰብ ናይ'ቲ መንእሰይ ምኳኑ እዩ። ኣበራ ካብ መስርዕ ሰራዊት-ኢጣልያ ብዘምለጠ፡ ነቲ ጎበዝ ከም ጀሆ እዩ ምሳኡ ተማሊእዎ ከይዱ። ንውሱን እዋን'ውን ቀቲልዎ ተባሂሉ ይውረ ነይሩ እዩ። እቲ ወረ ግን፡ መሰረት ኣይ-ነበሮን። ብድሕሪ "ኩናት-መጉእ" (ሚያዝያ 1892) እቲ ብኣበራ ዝምራሕ ጭፍራ ምስ ተበታተነ፡ በየነ ከምልጥ ክኢሉ ኣባና(ኢጣልያ) እዩ ተመሊሱ። ነተን ኣብ ፈቖዶኡ ብሸንኮለል ዘሕለፈን ሰለስተ-ንዋሕቲ ኣዋርሕ ብኡ ንብኡ ረሲዑ ድማ ንጽባ-ሒቱ እዩ ኣብ ቤት-ትምህርቱ ተመሊሱ።
ጥዑም ዝመዘ- ሕያዋይ ጎበዝ እዩ። ብናቱን ናይ ወላዲቱን እምብዶታ-ንብረትን/ ጓሂ ናይ ዘፍቀርዎ ኣባላት ሰራዊትናን ተፋንዩ፡ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ናብ ኣባሓጎኡ ንዓድዋ ተጻኢኡ። 1ይ ልጅ በየነ; 2ይ ወ/ሮ ታበረኽ

3ይ ልጅ ሃይለመለኮት........ ብወሰን ዝውለድ፡ ምስ ኣቦኡ ሓቢሩ ኣብ ዓድዋ እዩ ዝነብር። ካብ ኣገልጋሊቱ ዝወለዶ ምሳኡ ዝነብር ህጻን ይርከቦ.............. ልጅ ገብረሚካኤል

4ይ ወ/ሮ ጥሩ .... ብወሰን እትውለድ፡ ማእምን በዓምበራስ-ከፍል እያ። ካብኡ'ውን ልጅ-ኣዳል/ ልጅ-ኣሳብር/ እተባህሉ ኣብ ዓድዋ ምስኣ ዝነብሩ ክልተ-ደቂ ወለደት። ኣዳል፡ 12 ወይ 13 ዓመት ዝዕድሜኡ ኣዝዩ ዝጕርሕ- ተንኰለኛ መንእሰይ እዩ። ብመጠኑ ቋንቋ ጣልያን እውን ይዛረብ።
ወይዘሮ ጥሩ፡ ቅድሚ ናብ በዓምበራስ-ከፍል ምእታዋ፡ ምስ ሓደ ሓረስታይ ካብ ዝነበሩ ርክብ፡ ተኽለጊዮርጊስ እተባህለ ውሉድ'ውን ዝወለደት እያ። ንሱ'ውን ጎበዝ፡ ምስኣ እዩ ዝነብር።

5ይ ወ/ሮ ለምለም............ ካብ ወ/ሮ ኩላ-ድሃብ እያ ተወሊዳ። ሓሊቓ ሓደ-ጭፍራ ሰራዊት ደቀ'ባት ምስ ዝነበረ፡ ልጅ-ተሰፋ እተባህለ በዓል ማይ-ጻዕዳ ተዋሲባ፡ ልጅ-ካሳ/ ልጅ ገረዝጊሄር/ እተባህሉ ጽቡቕ ዝዝሕልም ክልተ-ደቂ ዝወለደት እያ። ምስኣ ድማ ኣብ ዓድዋ ይነብሩ። ወይዘሮ ለምለም፡ ከብ ናይ ምባል ዝምባለን/ ፈታዊት ነገር ከም ምኳና ትፍለጥ። ንበዓል-ቤታ ክይተረፈ ኣብ ንድየት ኣእትያ ኩተብቅዕ፡ ሉሚ ብዝኽፍእ ድማ፡ ካብኡ ምፍታሕ እዩ ሕልናኣ።

6ይ ወ/ሮ ደስታ .... ካብ ወ/ሮ ኩላ-ድሃብ ትውለድ። በዓል-ቤታ፡ ደጊያት-ምራጭ በዓል ዓጋመ ይበሃል። ካብዚ'ውን ገና ብዘጸናተን፡ ክልተ-ኣዋልድ ዝወለደት እያ።
ቀዳማይ-ሓዳራ፡ ነፍስ-ሄር ልጅ ንጉሰ በዓል ኩዶፈላሲ እዩ ዝነበረ ካብኡ'ውን "ብታወጣ" እተባህለት ጓል ዝወለደት እያ።
ብታወጣ፡ ክይወለደት እያ ተፈቲሓ።

ሌዎን

1ይ ኣደት ስለሞ

ቀኛማይ-ሓዳሪ፡ ነፍስ-ሄር ልደ ንጉስ በዓል ኩዶፈሻ እዩ ዝነበረ ካብኡ'ውን 'ብታወጣ' እትብሃለት ጓል ዝወለደት እያ። ብታወጣ፡ ከይወለደት እያ ተፈቲሓ።

7ይ ወ/ሮ ልኡል .... እውን ካብ ወ/ሮ ከላ-ድንብ እያ ትውለድ። ብዙይ ሓድጊ እያ ሞይታ። በዓል-ቤታ፡ ልጅ-ተሰገስ ወድ-ኣደተ እንበለ እተ-ባህለ በዓል ዓድ ቀንንንቲ እዩ ዝነበረ።

8ይ ወ/ሮ ወላ................. ካብ ወ/ሮ ኣበስራ በዓልቲ ዓድ ንብሬይ(ደምበጋ) እያ ተውሊዳ። ኣብ ቀዳማይ-ሓዳራ ካብ ኣደት ኪዳንማርያም በዓል ሕምብርቲ፡ ሓንቲ-ጓል ዝወለደት እያ። እዛ ቀዳመይቲ ጓል፡ ምስ ከንቲባይ-ገርማርያም በዓል ደምበጋ እያ ተመርዕያ።
ወ/ሮ ወላ ብድሕሪ ሞት ቀዳማይ ሰብኣያ፡ ናብ ኣደተ-ግዱም እተባህለ በዓል ግራት-ንብሩ እያ ኣትያ። ኣደተ ግዱም እንጃር-ዓርያ ይፍጸም ኣብ ዝነበረ ራስያ እዩ ተቐቲሉ። ወ/ሮ ወላ ካብ ኣደተ-ግዱም ሰለስተ ኣዋልደን-ክልተ ኣወዳትን ዝወለደት እያ፣ 1ይ-በፍታ- ሰይቲ ደጊያት ንጉስ በዓል ዓረዛ እያ ነይራ። ኣብ ማእሰርቲ ቅድሚ ምማቱ ድማ፡ ክልተ-ደቂ ዝወለደላ እዩ።
2ይ-ኣስመረት- ሰይቲ ከንቲባይ-ዋሴ ካብ ተኸለሃይማኖት(ደም-በጋ) እያ ነይራ። ብዘይ ውላድ እያ ተፈቲሓ። 3ይ-እልፍ-ዋጋ ሰይቲ ሓደ ኣብ ሕምብርቲ ዝነብር ሓረስታይ እያ። 4ይ-ምራጭ ዝነዝ ሰብኣይ እዩ። 5ይ-ጸጋይ- መንእሰይ እዩ። እዞም ዓሕረዎት ክልተ-ደቂ ምስ ወላዲቶም ኣብ ግራት-ንብሩ ይነብሩ።

9ይ ወ/ሮ ኣብነት .... ካብ ወ/ሮ ኣበስራ እትውለድ ሰይቲ ኣደተ ሳሙ በዓል ሰረር (ትግራይ) እያ። ካብዚ ክልተ-ደቂ ቅድሚ ምውላዳ፡ ካብ ቀዳማይ ሓዳራ'ውን ክልተ-ውላድ ወጺኣሓት እያ። ኣስማቶም ግና ምፍላጥ ኣይተኻእለን።

10ይ ወ/ሮ ውብነሽ............ጓል ወሰን እያ። ማእምን ብሓቶ ወልደ-ሩፋኤል እተባህለ ወታሃደር ካሪል ምኸና ይፍለጥ። ብድሕሪ ሞት በዓል-ቤታ(22ሕዳር1892) ካብኡ ምስ ዝወለደቶ ህጻን ሓቢራ ኣብ ከረን ትነብር።

11 ወ/ሮ ትብለጽ.............ብወሰን እያ ትውለድ። ምስ ሓዳራ ተኻእዞምቲ ዘሊጋስ ኣብ ወቕርቲ እያ ትነብር። ካብኡ'ውን እምብይሉ እተባህለ ወዲ 9 ወይ 10 ዓመት/ እበባ፡ 3-4 ዓመት ዝዕድመኣ/ ሓደ ሳልሳይ ህጻን እውን ዝወለደት እያ።

12 ልጅ ውቤ .... ካብ ሓንቲ እንገሊጋሊት እዩ ተወሊዱ። ኣብ እምባ-ሰላማ ምስ ኣቦኡ ተእሲሩ ኣብ ዝነበረ እዋን እዩ ሞይቱ። ብግዲኡ ካብ እንገሊጋሊቲ ዝወለዶ፡ መድኅን እተባህለት ውላድ ምስ እኖኣ ኣብ ሃዚጋ እትነብር ህጻን ገዲፉ እዩ ሞይቱ።

13 ሓደ-ህጻን .... ብሓዊር ምስ ወ/ሮ ኢለን ኣዲኡ ንራእሲ ወልደንኪኤል፡ ከንቲ-ባይ ጌለት በዓል ደምበጋ ብጥሜትን-ጻዕርን ዝቐተሉ ህጻን እዩ።

2ይ ደጊያት መርእድ

1ይ ኣደተ ወልደጋብር....... ሞይቱ እዩ። ምስ ልጅ-ንብረ በዓል ዓድ ንብሩ ተመርዕያ እተፈ-ትሓት ሓንቲ ውላድ እያ ዝነበረቶ። ከም ዝበሃሉ ኣብ ባጽዕ ማእሰራ እያ ትነብር.................................... ወ/ሮ ትብለጽ

2ይ ወ/ሮ ኣበራሽ ....ሰይቲ ልጅ ኣስገዶም ወድ-ኣደተ ወንደፍራሽ በዓል ዓረዛ እያ። ሰለስተ-ደቂ ዝወለዱ እዮም፥ 1ይ-ደጊያት መንገሻ፡ ብመንግስቲ ኢጣልያ እተሓየረ እዩ። 2ይ-ልጅ ኣርእያ/ 3ይ-ልጅ ሳህለ-ስላሴ፡ ኣብ ዓረዛ ይነብሩ።

3ይ ወ/ሮ ስንጋል ....ማእምን ኣደተ ጸየው እተባህለ በዓል ጸንንዊ ኣብ ትግራይ እያ። ካብዚ'ውን ሓደ ውላድ እያ ወሊዳ። እቲ ዝነዝ፡ ልጅ-እምባዩ እተባህለ ምስ ወላዲቱ ኣብ ሃዚጋ እዩ ዝነብር።

4ይ ህጻን፡ ምስ ዓባዩ ወይዘሮ ኢለን ኣደ ደጊያት-መርእድ፡ ብከንቲባይ-ጌለት በዓል ደምበጋ ብ ጥሜት-ጻዕርን እተቐትለ እዩ።

ተመልከት፡ እተጠቕሱ ደቂ ደጊያት-መርእድ፡ ካብ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ፃሀት ጓል ከንቲባይ-ልኛም በዓል ዓድ-ክፍሉ-ም (ደምበጋ) እተወልዱ እዮም።

ተጸዮን

ይ

1ይ ከንቲባይ ሃይሉ ኣብ እዋናት ቀውዒ 1891 ዓ.ም. ክሕደት ብዝወዐለ ገበን ተኸሲሱ እተረሸነ እዩ።	1ይ ልጅ ተድላ- ተሓብዩ ናይቲ ኣቡኡ ዝፈጸሞ ናይ ክሕደት-ገበን ተባኢሉ፡ ኣብ እዋናት ቀውዒ 1891 ዓ.ም. ተእሲሩ ኣብ እተመደበ ቤት-እስሪ ንንዕ እናማዕዙም፡ ኣብ መንገዲ እዩ ሞይቱ። በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ላቀች በዓልቲ ዓድ ኣበን ኣብ	ልጅ ኣቢይ- ምስ ወላዲቱ ኣብ ሃዚጋ ይነብር።

ኣቦኡ ተኣሲሩ ኣብ ዝነበረ እዋን እዩ ሞይቱ። ብግደኡ ካብ ኣንጊጋሊቱ ዝወለዶ፣ መድህን እተባህለት ውላድ ምስ እናኣ ኣብ ሃጸጋ እትነብር ህጻን ገዲፉ እዩ ሞይቱ።

13 ሓድ-ህጻን .... ብሓባር ምስ ወ/ሮ ኢለን ኣዲኡ ንራእሲ ወልደንኪኤል፣ ከንቲባይ ጊለት በዓል ድምበዋን ብጥሜትን-ጸልግን ዝቐተሉ ህጻን እዩ።

2ይ ደጊያት መርእድ

1ይ ኣይተ ወልደጋብር....... ሞይቱ እዩ። ምስ ልጅ-ገብረ በዓል ዓድ ገብሩ ተመርዕዖ እተፈ-ትሓት ሓንቲ ውላድ እያ ዝነበረቶ። ከም ዝበሃሉ ኣብ ባጽዕ ማእሰሪ እያ ትነብር.. ወ/ሮ ትብለጽ

2ይ ወ/ሮ ኣበሬሽ ....ሰይቲ ልጅ ኣሰገዶም ወድ-ኣይተ ወንድፍሬሽ በዓል ዓረዛ እያ። ሰለስተ-ደቂ ዝወለዱ እዮም፣ 1ይ-ደጊያት መንገሻ፣ ብመንግስቲ ኢጣልያ እተኣሰረ እዩ። 2ይ-ልጅ ኣርኣያ/ 3ይ-ልጅ ሳህለ-ስላሴ፣ ኣብ ዓረዛ ይነብሩ።

3ይ ወ/ሮ ሰንጋል ....ማእምን ኣይተ ጸሃየው እተባህለ በዓል ጸንዓዊ ኣብ ትግራይ እያ። ካብኡ'ውን ሓደ ውላድ እያ ወሊዳ። እቲ ካልኡ፣ ልጅ-እምባየ እተባህለ ምስ ወላዲቱ ኣብ ሃጸጋ እዩ ዝነብር።

4ይ ህጻን፣ ምስ ዓባዩ ወይዘሮ ኢለን ኣደ ደጊያት-መርእድ፣ ብከንቲባይ-ጊለት በዓል ድምበዋን ብጥሜት-ጸልግን እተቐትለ እዩ።

ተመልከት፣ እቶም ቐቶ ደቂ ደጊያት-መርእድ፣ ካብ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሻሸት ጓል ከንቲባይ-ልጃም በዓል ዓድ-ክፍሉም (ድምበዋን) እተወልዱ እዮም።

2ይ ኣይተ ሃብተጽዮን

ኣይተ ገብረይ

1ይ ከንቲባይ ሃይሉ
ኣብ እዋናት ቀውጒ 1891 ዓ.ም. ከእደት ብዝብኣ ገዛን ተኸቢሱ እተረሸነ እዩ። ወይዘሮ ትርሓስ እተባህለት በዓልቲ ቤቱ ሓወቲ ሓድጉ እንበለ እያ።

1ይ ልጅ ተድላ- ተሓባባሪ ናይቲ ኣቦኡ ዝፈጸሞ ናይ ከእደት-ገዛን ተባሂሉ፣ ኣብ እዋናት ቀውጒ 1891 ዓ.ም. ተኣሲሩ ኣብ እተመደበ ቤት-እስሪ ጊንዳዕ እናሃለወ፣ ኣብ መንገዲ እዩ ሞይቱ። በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ላቀች በዓልቲ ዓድ ኣበን ኣብ ትግራይ እያ።

ልጅ ኣባይ- ምስ ወላዲቱ ኣብ ሃጸጋ ይነብር።

2ይ ልጅ ደስታ- ኣብ ሃጸጋ ይነብር። ምስ ወ/ሮ ብርሃን ጓል-ግደይ በዓል ደቂ-ሻሓይ ተቐሪቡ፣ ኣብ ዝሓለፈሕዳር 1892 እዩ ፈቲሖም።

ኢለን- ኣብ እንቃሕስ ኣከለ-ጉዛይ እያ ተቐሪባ።

2ይ ኣይተ ተኸለ
ብሕማም እዩ ሞይቱ። በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣይንት፣ ካብ እንዳ-ዓረዛ እያ።

1ይ ልጅ ካሳ
2ይ ልጅ መንገሻ
3ይ ልጅ ውረድታ

ካሳ - ውረድታ፣ ጠጅ-ማስቲካ..... እናሸጡ፣ ኣብ ባጽዕ ይነብሩ። መንገሻ ግን፣ ምስ ኣቡሩ ዝተለሃ እዩ። ንሱን ኢሕዋቱን ብመስመር ኣደ፣ ኣዝማድ ኣቡራ እዮም።

3ይ ኣይተ መንግስቱ

1ይ ኣይተ እልፋይ፣ ዝሞተ። ወታሃደር በዓምበራስ ክፍል እዩ ዝነበረ..................

1ይ ልጅ በኺት፣ ከይወለደ እዩ ሞይቱ።
2ይ ወ/ሮ ምድንት፣ ኣብ ሀልዊ-እዋን ሰይቲ ኣስላፈ-ገብረ እያ።
ግደይ እተባህለት ውላድ'ውን ወሊዶም እዮም።
3ይ ልጅ ምሕረትኣብ፣ወታሃደር በዓምበራስ-ክፍል እዩ ነይሩ።
4ይ ልጅ ባይረ
5ይ ልጅ በጊድ
መናእሰይ
6ይ ብሩ፣ ገና ህጻን እዩ

በዓምበራስ-ክፍል ብዙተኣሰረ፣ ምሕረትኣብ ኢዲኡን-ኢሕዋቱን ሓዙ ኣብ ጽዓለ ከባቢታት-ከረን ሰፊሩ፣ ብግሕረስ እዩ ዝናበር ነይሩ። እይተቐሪበን፣ ውላድ እውን እይወለደን፣ ኢዲኦም ወ/ሮ ትርሓስ እተባህለት ጓል ከንቲባይ-እዛዝ በዓል ሞለሃናይ እያ።

2ይ ኣይተ ኣብደንደሩ፣ ብሕማም እዩ ሞይቱ። በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ተመርጸ ጓል-ዕጠል በዓል ደቅ-ዳንሺም እያ ዝነበረት።

ልጅ-ነሕሳይ፣ ኣብ ናኹራ ተኣሲሩ ጸኒሑ፣ ብመስከረም 1892 እዩ ተሰቒሉ። ወይዘሮ-መንደል እተባህለት በዓልቲ-ቤቱ፣ ጓል-በዓምበራስ-ክፍል እያ። እይወለዱን።

3ይ ከንቲባይ ገብረ- ምስ ወድ-ሓው ደጊያት-መኮንን ሓቢሩ፣ ብ ወገን ሃጸይ ተከለሃይማኖት ተሰሊፉ እንጸር ሃጸይ-ዮሃንስ እናተዋግአ ኣብ ዓድዋ እዩ ተቐቲሉ።

1ይ ልጅ ተድላ- ብሕማም ድውየት ተጠቒዑ፣ ብድኽነት ኣብ ሃጸጋ ይነብር። ውላድ እይወለደን።
2ይ ልጅ ሓጐስ- ኣብ ሃጸጋ እዩ ዝነብር። በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ኣድሓነት፣ ጓል-ብላታ በዓል ዓድ ክፍሉም(ድምበዋን) እያ።
ኣብ ወርሒ ሕዳር 1892፣ ሓደ ወዲ ዝወለዱ እዮም። ስሙ..... ባህታ ሽፋረ

4ይ ኣይተ-መድህን.........

ሓደ ወድን-ክልተ ኣዋልድን ወሊዱ ዝሞተ እዩ። እቲ ወዲ ልጅ-በኺት እተባህለ፣ ከይወለደ ዝሞተ እዩ። ካብተን ኣዋልድ፣ ሬሀት- ማእምን ቀሺ-ዕንቋር በዓል ዓድ-ዘን እያ። ካብኡ'ውን ገና ህጻናት፣ ወድን-ጓልን ይርከባ።
ሶቺር እተባህለት ካልኣይቲ-ጓል፣ ሰይቲ ገረንኪኤል በዓል ዓድ-ኣከሉም(ድምበዋን) እያ።

ኣብ እዋናት ምምሕዳር ኣይተ-ሰሎሞን፡ ልጅ-ሃይሉ እተባህለ ቦኽር-ውላድ ኣይተ-ተወልደመድህን፡ ካብቲ ናይ ኣቦኡ እተፈለየ ባህሪ ብምንባሩን/ እቲ እንዳ-ሃዘጋ ኣብ ልዕሊ እንዳኡ ዝነበሮ ጸብለልትነት ክጻወሮ ብዘይምኽኣሉን፡ ካልእ ዕድላት ክናዲ ን "ትግራይ" ሓለፈ። ኣብ ትግራይ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ዝኾነ ናይ ጸብለልትነት ዝምባለ ክቈጻጸር ዝኽእል ማእከላይ-ስልጣን ኣይነበረን። ካብዚ ሓሊፉ'ውን እቲ " ስሑል " እተባህለ ራእሲ ሚካኤል ዝፈለሞን-ዝኸተሎን ሕማቕ ኣብነት ከም መተባብዒ ተወሲዱ፡ ኣብ ሞንጎ'ቶም ዓበይቲ መራሕቲ-ዞባ፡ ሕሱም ኩናት እዩ ዝካየድ ነይሩ።

እዚ " ሽማግለ " እውን ዝበሃል ራእሲ ሚካኤል ስሑል፡ ሓድ-ሓደ ነጋውስ ናይቲ ጥንታዊ-ስርወ ቀቲሉን/ ካብ መዝነቶም ተንጺጡን/ ካልኣት ነጋውስ ከብ እቢሉን፡ ራእሲ-ቢትወደድ ተባሂሉ፡ ናይ ሓቂ ጉይታ ኢትዮጵያ ንሱ እዩ ዝነበረ።

ሃይሉ ኣብቲ እዋን'ቲ 25-26 ዓመት ዝዕድመኡ ጎበዝ ኰይኑ፡ ምስ ደጊያት-ካሕሳይ ወድ ራእሲ-እስባጋዲስ ጉይታ ዓጋመ እዩ ወፊሩ ዝነበረ። ኣብቲ ደጊያት-ካሕሳይ ኣንጻር ደጊያት-ውቤ ዘካየዶ ግጥማት ድማ ተኸታሊኡ ብምዃን፡ ሃይሉ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ወታሃደራዊ-ክእለቱ ኣመስኪሩ፡ ብካሕሳይ " ደጊያት " ዝብል ሽመት ተዋህቦ።

1839 ዓ.ም.

ብ 1839 ዓ.ም. ካሕሳይ ብውቤ ተሳዒሩ ምስ ተማረኸ፡ ሃይሉ ከምልጥ ክኢሉ፡ 500 ሰዓብቲ ኣኸቲሉ፡ ናብ ህዝቡ ንሓማሴን ተመልሰ። መላእ ዓዲ ብዓቢ ሓጐስ ተቐበሎ። ህዝቢ ጸዓዘጋ ድማ ነቲ ሽማግለ-ሰላማውን ዝነበረ ኣቦኡ "ተወልደመድህን" ካብ ናይ ምምሕዳር መዝነት ኣውሪዱ፡ ኣብ ክንዳኡ ንሃይሉ መራሒ ናይቲ እንዳ ክኸውን መረጾ። በዚ እቢሉ'ውን፡ ኣብ ሓጺር እዋን ሓያል-እንዳ ንምዃን፡ ብዙሕ ተተስፈወ።

ደጊያት-ሃይሉ ኣብ መጀመርያ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ምልኩ ኣሚኑ ንደጊያት-ውቤ ናይ ሰላም ተበግሶታቱ ምግላጽ መረጸ። ውቤ ነዚ ተቐቢሉ ንሃይሉ ናብኡ ክቐርብ ዕድመ ገበረሉ። ሰለስተ-ወርሒ ብድሕር'ዚ፡ ሃይሉ ንትግራይ ተበገሰ። ውዕውዕ እንግዶት ተገይሩሉ ጥራሕ ዘይኰነ፡ ስልጣኑ ኣብ ጥንታዊ-ሓማሴን ማለት ክሳብ ሰንሰለት ኣኽረናት "ምኽዓው-ቆሎ" ተፈልጠሉ። ንሰራየ ግን፡ውቤ ባዕሉ ብዝልእኮም (ብግብሪ እውን ዝለኣኾም) "ሹም-ነጋሪት" እተባህሉ መኰንናቱ እቢሉ ክገዝእ ወሰነ።

እዞም ሹም-ነጋሪት እተባህሉ መኰንናት፡ ነዚ ሃብታም-ፍርያምን ኣውራጃ ክሓልዉን-ክምዝምዙን፡ ናይቶም " ሹም-ጉልቲ " እተባህሉ ዞብኣውያን ኣመሓደርቲ፡ ተቐባልነት-ደገፍን እውን ከም ዝነበሮም፡ ተጠቒሱ እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ እቲ ብቐሊሉ ክግመት ዝከኣል ዝነበረ ኢጋጠመ።

እቲ ዝጸንተ ህዝቢ ሰራየ፡ ካብ ናይ ትግራይ ናይ ባጫ ኣርዑት ተላቒቑ፡ ምስቶም ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ኣብ ትሕቲ ኣባታዊ-ስርዓት እንዳኡ ዝጸንሑ ኣሕዋቶም ደቅ-ሓማሴን ዳግመ ክሰምሩ፡ ንደጊያት-ሃይሉ ተወኪስዎ።

ከም ዝመስሎ፡ ደጊያት-ሃይሉ ነዚ ዕድመ'ዚ ብሓበን ተቐቢሉ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ተበግሶታት እውን ዝወሰደሉ ይመስል።

እቶም ዞብኣውያን-ኣሕሉቕ ግና፡ ብሕልፊ'ቶም ናይ ማይ-ጻዕዳ፡ ነቲ ብፍታው ሹም-ነጋሪት ኣብ ምድርታቶም(በብምድሮም) ዝጥረይዎ ስልጣን-ዕብለላን ንምዕታብ፡ ነዚ ኣይተሰማምዕሉን። ስለ'ዚ ድማ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ጉዳያት-መደባትን፡ ንውቤ ኣጠንቀቕዎ።

1840 ዓ.ም.

ሃይሉ ንሓማሴን ካብ እተመልሰሉ ብድሕር ዓሰርተው-ሓሙሽተ ወርሒ እቢሉ ይኸውን፡ ውቤ መደባቱ ከየፍለጠ፡ ግዙፍ-ሰራዊት ኣኸቲሉ ንመረብ/ምላሽ ገጹ ተጓዕዘ።

ኣብ እንዳ'ባ መጣዕ- ኣብ ሓላል(ከባቢታት ድባርዋ)- ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ዓድ ተኽላይ ዓረደ። ንሰራየ እዚ ዘይበሃል " ፈሰስ " ከገድድ ጀኒሑ ግን፡ ኣብ ሓማሴን ብዝበጽሐ፡ እቲ ብውሑድ ዘድሊ ነገራት ይእዝዝ ነበረ። ኣብ ዓድ ተኽላይ ብዝበጽሐ፡ ንደጊያት-ሃይሉ ጸዊዑ ድማ፡ መደባቱ ገለጸሉ። ኣብ ሰንሒት (ከባቢ ከረን) " ዘመቻ " ወይ " ዝምታ " ምዝማት እዩ እቲ ዝነበረ ወፍሪ።

ኣብዚ ንሱ "ኣሲጋኢ" ዝበሎ ዞባ ንዝካየድ ዘመተ ድማ፡ ሃይሉን ወዱን ኣይተ-ተስፋ-ጽዮን ምሳኡ ከሓብሩ ዓደሞም። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ ንሳቶም ናይቲ ቦታ-ስንጭሮታቱን ኣፍልጦ ብምንባሮም፡ ነቲ ዘመተ ክመርሕዎ ኣዘዞም።

ዕላማ-መንቀልን ናይዚ ውጥን ኣበይ ከም ዝኣመተ ምፍላጥ፡ ብቐሊሉ ዝግመት እዩ።

ንደጊያት-ሃይሉ ኣብቲ ዘመተ ክሳተፍ፡ ወረ'ውን ክመርሖ ኣገዲዱ፡ ካብ'ቶም ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ምስ «እንዳ-ጸዓዚጋ» ብእምነት ጸኒያም፡ ንዓዶም ከም ግዝኣት ዘይኮኑ- ከም ውሽጣዊ-ክፋል ሓማሴን ክኣምንሉ ዝጸንሑ ክርስትያን ህዝብታት ቦጎስ- ቤት-ታዓቄ-ማርያ...ወ.ዘ.ተ. ብቐርሕንቲ ከም ዝንጸሉ ምግባር እዩ ዕላማ ውቤ ዝነበረ።

ውቤ፡ ከረን/ ሓልሓል/ ብድሕር ምዝማቱ፡ እቶወሰነ እዋን ኣብኡ ጸኒሑ ነቶም ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ዓድታት'ውን ብዘይንሕሲያ ራሰዮም። ንትግራይ ገጹ ናይ ምምላስ ጉዕዞ ብዝመደበ ድማ፡ እቲ ኣፈላላይ ከደምቕን- እንታይነት ደጊያት ሃይሉ ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ሰንሒት-ሰራየ- ኣጸቢቑ ክንጽርን ንማለት፡ ንጥንታዊ-ሓማሴን እንደገና ምሕረት ዝሂርሉ ሓለፈ።

ዕላማታት ደጊያት-ውቤ፡ ኣጸቢቑ እዩ ሽቶኡ ወቒዑ። ምኽንያቱ፡ ከም ባህርያዊ-ሳዕቤን ህዝቢ ሰንሒት ብቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ህዝብታትን/ ዝያዳ ድማ ብግብጺ ተተባቢያም፡ ካብ ሓማሴን ፖሊቲካውን-ሃይማኖታውን ምፍላይ ዝዕላማኡ ምንቅስቓስ ኣበገሱ።

ሽዑ ንሽዑ ውቤ ብዝወጸ፡ ህዝቢ-ሓልሓል ነቲ ጥንታዊ ቤተ-ክርስትያኖም ሓዊ ኣንዲዶም ብብዝሒ ኣብ ምስልምና ኣመኑ።

ውቤ ግን ብዝረኸቦ ወጽኢት ስለ ዘይዓገበ፡ ወይ'ውን ጥርጣረ ዘሕደረሉ ነገራት ስለ ዝተረፎ ግዲ፡ ኣብ ጉዕዞ መልሱ ኣብ ሓላሊ ብዝበጽሐ፡ ንሃይሉን- ቦኽሪ ውላዱ ተስፋጽዮን(ንዕኡ ወድ 16 ዓመት እዩ) ኣሲሩ ምሳኡ ንትግራይ ወሰዶም። ኣብዚ ብዝበጽሐ ድማ ኣብ ወረዳ-ሰሜን ዝርከብ እምባ'ዘን እትባሃለ እምባ 15 ዓመት ዝኣክል ኣሰሮም። በቲ ሓደ ወገን ድማ፡ ግዝኣት ሓማሴን ኩነ ሰራየ፡ ነቲ ገና ህጻን ዝነበረ ካልኣይ ውላድ ደጊያት ሃይሉ ማለት ንደጊያት-ኢማም ኣመሓላለፈሉ።

2ይ- ምዕራፍ

ኣይተ ሰሎሞን ኣብ ሞቱ፡ ውክልና ደቁ፡ ነዲኦም ማለት ንበዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ኢለን ጓል ኣይተ-ሓጉስ በዓል ዛግር(ካርነሽም) እዩ ሰበዋኡ ተናሲሑ።

ወ/ሮ ኢለን ብዝነበራ በሊሕ ኣእምሮ/ ተባዕ-ጠባይ/ ከብ ናይ ምባል ድልየትን- ብድሕር ሞት ሰብኣያ፡ እቲ ንቦኽሪ-ውላዳ ማለት ንኣይተ-ወለንኪኤል እዩ ዝብጽሖ እትብሎ ስልጣን-መዝነትን፡ ናብ ደጊያት-ሃይሉ ብምሕላፉ፡ ዕርፍቲ ኣይረኸበትን።

ስለ'ዚ'ውን፡ ማእሰርቲ ደጊያት-ሃይሉ ብዝሰምዐት፡ ድኻም-ጸገምን ከይጸብጸበት፡ ብቆራጽነት ናብ ውቤ ገጻ ንትግራይ ተበገሰት። ኣብ "ሓውዜን" ብዝርከበቶ ድማ፡ ኣብ ቅድመኡ ቀሪባ ብዘእምን ኣገባብ ነገር ደቃ ኣቕረበትሉ። እቲ ኩሩዕ ጐይታ-ትግራይ፡ ንወልደንኪኤል መሰል-ውርሻ ኣቦኡ ኣብ ምፍላጥ ጥራሕ ከይተወሰነ፡ ብእንጻር ናይ ኣብቲ ዓዲ ዝጸንሐ ልምዲ(ንቐረባ ደቅ-ተባዕትዮ ኣዝማድ ከወሃብ ዝግቦእ ስልጣን)፡ ንኢለን፡ ዕድመ ወዳ ንምምሕዳር ክሳብ ዝበቅዕ፡ ኣብ ክንዳኡ ባዕላ ስልጣን ኩተመሓድር ፈቐደላ። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ንደጊያት-ኢማም ወድ ደጊያት ሃይሉ ካብ ዝነበሮ መዝነት ቀንጠጦ።

ንወ/ሮ ኢለን እተዋህበ መዝነት ግን፡ ኣብ ግዝኣት ጥንታዊ-ሓማሴን (ማለት ክሳብ ምኽዓው-ቆሎ) እተወሰነ እዩ ዝነበረ። ከም ወትሩ ድማ ሰራየ ንዓኡ ኣትሪፉ፡ ኣብ ከባቢታት "እንዳ'ባ መጣዕ" ብዘቐመጦ ሹም-ነጋሪት ኣቢሉ ይገዝእ ነበረ።

ደጊያት-ውቤ፡ ወ/ሮ ኢለን በይና ኩይና ነቲ እተፈቕደላ ግዝኣት ሓማሴን ምምሕዳር፡ ከጸግማ ምዃኑ ብምሕሳብ፡ ብላታ-ኾኾብ እትባሃለ እሙን መኾንኑ/ ዓስርተ-ሽሕ ኣቢሎም ዝግመቱ ሰራዊትን/ ኣኺቲሉ ኣሰነያ።

እዚ ውሳነ'ዚ ግን ኣሉታዊ ሳዕቤናት እዩ ኣኽቲሉ። ምኽንያቱ፥ ብኣንጻር ናይቲ ዝጸንሐ ልምድን-ባህልን፥ ሓማሲን ብሰበይቲ ክመሓደር፥ እዚ ድማ ብኣስገዳድ ባዕዳዊ-ስራዊት ምርግጋጹ ዝብል ውጥን ኩነ- እንዳ-ሃዚጋ ብዝነበሮ ውሑድ ህዝባዊ-ተቐባልነት፥ ኑቲ ወረዳ ብምሉኡ ኣናወጾ። ንመደባት ኢለን ክቃወም'ውን ተላዕለ። ኣሉ እተባህለ ንበዝ ብረት ሒዙ ኣብቲ ንሳን-ሰራዊት ትግራይን ክሓልፉ እተመደበ ቦታ ኣብ "ጉራዕ" ኣድብዩ ጸንሑም። እቲ ብረታዊ-ግጭት ግን ኣንጻር እቲ ህዝቢ ኩነ ውጽኢቱ።

"ብላታ-ኾኾበ" ጸራሪግዎም ንኢለን ሃዚጋ ኣብጽሓ። ከም ፍቓድ ውቤ ድማ ስልጣና ኣረጋጊጹ፥ ንቕሩብ እዋን ኣብኡ ጸኒሑ፥ ህጹጽ ብእተባህለ ጉዳያት ተጸዊዑ ንትግራይ ናብ ጉይታኡ ተመልሰ።

ወ/ሮ ኢለን በይና ብዝተረፈት፥ ሽዑ ንሽዑ ብኹሉ ተጠሚታ-ብጸላኢቲ ተኸበበት። ተራር ሰበይቲ ብምንባራ ግን፥ ጥቕማን-ጥቕሚ ደቃን ክተውሕስ፥ ብረት ምልዓል'ውን ኣይንሓፈትን።

ኣብ ኩናት "ዓድ-ዘን" ንእብኑት፥ ባዕላ ሰራዊታ መሪሓ ኣንጻር'ቶም ተቓወምቲ ጓጢማን-ስዒራን። ከምኡ'ውን ኑቲ ብድሕር'ዚ ዝሰዓበ ኩናት "ምስጓጉ" ኣንጻር'ቶም ብኣይተ-ኣሉላ ሓው ደጊያት ሃይሉ እተመርሐ ተቓወምቲ፥ ባዕላ እያ ኩናት መሪሓ። ኣብዚ ግን፥ ኣይተዓወተትን። ኣይተ-ኣሉላ ምናልባት ንስለ ጓል-ኣንስተይቲ ኢሉ ግን፥ ኑቲ ዝረኸቦ ናይ ዓወት-ዕድል ኣይተጠቕመሉን። ስለ'ዚ'ውን ንኢለን፥ ምልክትን-ግዳማዊ መልክዕን ናይቲ ስልጣን ገደፈላ።

ወ/ሮ ኢለን ኣብዚ ካልኣይ ናይ ብረት-ግጥም፥ ልክዕ ከምቲ ዋዕሮ-ኣንበሳ ኩርኩር ሽደና መሪሓ ናይ ሃድን-ጥበባት እተመሓላልፍ፥ ኑቲ መንእሰይ-ውላዳ ማለት ንወለን-ኪእል ምስኣ እያ ኣውፊራቶ ዝነበረት።

ኣብ ፍጻሜታት ናይዚ ዛንታ'ዚ ብዛዕባ "ኣይተ-ኣሉላ" ካብ ተጠቕሰ፥ ብዛዕባኡ ሓድ-ሓደ ሓበረታ ምቕራብ¦ውን ኣገዳሲ እዩ።

ደጊያት-ሃይሉ ብትእዛዝ ውቤ ተኣሲሩ ኣብ ዝነበረ እዋናት፥ ኣይተ-ኣሉላ ኣብቲ ኣንጻር ውቤ ኩቲቱ ዝጸንሐ "በዓል ገዳይ ኣራርያ" እተባህለ ተወላድ «ወጀራት» እዩ ተዓቝቡ ጸኒሑ። "ኣራርያ" ብዘበርከተሉ ሓገዝ እዩ ድማ ኣብ ኩናት ምስጓጉ ንወ/ሮ ኢለን ክገጥማን-ክስንፋን በቒዑ። ብድሕር'ዚ ዓወት'ዚ፥ ኣይተ-ኣሉላ ንጸዓዘጋ ኣተወ። ነዊሕ ግን ኣይጸንሐን። ደጋፊኡ ዝኾነ "ኣራርያ" ብውቤ ተሳዒሩ ይህደኑ ኣብ ዝነበረ፥ ኣሉላ እውን ከምልጥ ተገዲዱ፥ ኣብ ጉንደር ኣብ ቤት ኣቡና-ሰላማ ተዓቚበ። "ኣቡና-ሰላማ"፥ ጸረ-ውቤ እዩ ዝነበረ። ስዒቡ ግን ኣብ ሞንጎኦም ዕርቂ ስለ እተፈጸመ፥ እቲ ኣቡን ንኣይተ-ኣሉላ ምሕረት ክግበረሉን- ግዝኣት ሓማሴን እውን ክፍቀዶን- ንውቤ ሓቲቱ፥ ተፈቒዱ'ውን።

ከምዚ'ሉ ኣሉላ ክሳብ'ቲ ውቤ እተሳዕረሉን/ ሃይሉ-ሓው ካብ ማእሰርቲ እተለቐቐሉ እዋናት፥ ኑቲ ግዝኣት ዓቂብዎ እዩ ጸኒሑ።

ናብ ወ/ሮ ኢለን ንምምላስ ድኣ፥ብድሕር'ቲ ኣብ ኩናት ምስጓጉ ዘጋጠማ ውድቀት-ስዒቡ ኣንጻራ እተላዕለ ተቓውሞታት እናበኣሰ ምኻዱ፥ ከምኡ'ውን ጾር ናይቲ ምምሕዳር ክተፋኹስ ብምሕሳብ፥ ምስ ኣይተ-ገብራይ ወድ-ኣይተ ሃብተጽዮን ሓው መዋቲ በዓል-ቤታ መኸረት። ብኣኡ ተደጊፋ'ውን ንዳር.ጋ ክልተ-ዓመት ስልጣን ኣመሓደረት። ግብራዊ-ምምሕዳር ግን ኣዝዩ ስለ እተዳኸመ፥ ኩሉ'ቲ ዝጸንሐ ናይ ጽፍሒታት ምትእስሳር ኩነ-ናይ ስልጣን መዝነት፥ ፈጺሙ ኣብቀዐ።

ሓማሴን ብሓፈሻኡ ኣብ ፍጹም-ፋሉልነት ኣተወ።- 1843 ዓ.ም.? -

ውቤ፥ እዚ ኣቐዲሙ ዝገመቶን፥ ምናልባት'ውን እተተስፈዎን ኩነታት ንምምዝማዝ፥ "እንግዳ-ወርቂ" እተበሀለ ፊትወራሪ ልኢኹ፥ ኑቲ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ዞብኣውን-ኣውራጃውን ሓርነታት ደቐሱ፥ መዝነት ናይ ዝጸንሑ ሹም-ጉልቲ ቀንጢጡ፥ ኑቲ ሃገር ኣብ ትሕቲ ወታሃደራዊ-ምልኪ ኣእተዎ። በዚ ኣገባብ'ዚ ድማ፥ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ክኸፍሎ ዝግበኦ ግብረ-መሬት፥ ን "ሓውዜን" ናብ ተሓዚ ገንዘብ-ውቤ ክረክብ ተገደደ። ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ክልተ-ዓድታት ክለዓል ዝኽእል ነገር፥ ኣብ «ቤት-ፍርዲ ደጊያት» ክቐርብ ተወሰነ። እዚ ኣገባብ'ዚ ብዘኸተሎ ዓበይቲ ጸገማት ግን፥

ንሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት እዩ ኣገልጊሉ። ኣብ ክንድ'ዚ ድማ፣ ግብረ ንምእካብ ኩነ-ሕጊ ንምምሕዳር፣ ደጊያት-ውቤ ንመረብ/ምላሽ «ምስለነ» ብእተባህለ ወካሊኡ ገይሩ ከመሓድሮ ወሰነ።

እዚ ሓድሽ ኣገባብ ኣገዛዝኣ ናይቲ ብዓበይቲ ቅርሕንትታት እተባልዐ መረብ/ምላሽ እውን፣ 3-4 ዓመት እዩ ኣገልጊሉ።

መፈጸምታኡ ድማ፣ እቲ ከሳብ'ቲ እዋን'ቲ "ምስለነ" መረብ/ምላሽ ተሰይሙ ዝጸንሐ ብላታ-ኾኾብ ዝኣከቦ ግብረ ንውቤ ከረክብ ንሓውዚን ምስ ነቐለ፣ ወለንኪኤል 26-27 ዓመት ዝዕድመኡ ሰብኣይ ኮይኑ፣ ትምኒቱን/ ኣብ ጸላእቱ ዝነበሮ ሕነ-ምፍዳይ/ ጊዜኡ ኣኺሉ ኣብ ዝበለሉ እዋን እዩ ዝኾነ።

ግዝኣት "ብላታ-ኾኾብ" ኣብ መረብ/ምላሽ፣ ዛጊት ከም ናይ መርገም እዋናት ይዝከር። ኣብዚ ካብ 1844 ክሳብ 1850 ዓ.ም. ዘሎ እዋን እዩ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ እውን ናይ ኣስገዳድ-ግብረ ተኣታትዩ። ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ ግን፣ ነዚ ኣሚን ኢሉ ኣይተቐበሎን። ሓያል ተቓውሞ እዩ ኣቕሪቡሉ። ምናልባት'ውን ደጊያት-ውቤ ብእከይ ፖሊቲካዊ-ሜላ ንህዝቢ-ሰራየ ኣንጻር ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ እንተዘየሰልፎ፣ ሓርነት ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ ከምኡይሉ ክጸንሕ ምኽኣለ።

ነቲ ኣብ ናይ ሰላም እዋናት ብቐሊሉ ክዕረ ዝኽእል ዝነበረ ናይ ሓድ-ሕድ ዘመታ ከብትን ያዕ-ያዕ ወ.ዘ.ተን ዘንቀሎ ኣብ ሞንን'ዞም ክልተ-ወረዳ ዝጸንሐ ምፍሕፋሕ መዝሚዙ፣ ውቤ ካብ ሰራየ ዝኣከቦም ሰባት ደረቡ፣ ሰራዊቱ ብዘደልደለ እዩ፣ ኣከለ-ጉዛይ ተመሊኹ። እቲ እዚ ተግባር'ዚ ኣብ ሞንን'ዞም ክልተ-ህዝቢ ዘኸተሎ ጽልኢ፣ ክሳብ ሎሚ (ሽዑ ማለት እዩ) ኣይዓረፈን።

3ይ- ምዕራፍ

ኣቦኡ ንራእሲ-ወለንኪኤል ብሕማም ተጠቒዑ ኣብ ኢጋ-ሞቱ፣ ደቁ ዓብዮም ከዋቀሙለን ኣብ ዝበጽሕሉ ዕድመ ከረክቦም ንማለት፣ ን "ከንቲባይ-ወሊጋብር" 40 ጠበንጃ ንሓደራ ኣረኪብዎ ከም ዝነበረ፣ ኣንባቢ ዝዝክሮ እዩ።

ደጊያት-ካሕሳይ በዓል ዓጋመ ብውቤ ተሳዒሩ ምስ ተኣሰረ፣ ወገን ካሕሳይ ኮይኑ ዝጸንሐ ደጊያት-ሃይሉ፣ ንሓማሴን ከም እተመልሰ'ውን ተጠቒሱ ነይሩ። ኣብዚ ኮይኑ 'ውን ንውቤ ምሕረት ሓቲቱ፣ ምስ ተገብረሉ ድማ፣ ኢድ ክሰእ ንትግራይ እዩ ተበጊሱ።

ወ/ሮ ኢለን፣ ተዓሪቑ ምምላሱ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ምምሕዳር ናይ ዝበዝሐ ክፍሊ መረብ- ምላሽ ከም ዝፍቀደን ስለ'ዚ እውን ከምቲ ኣኸቲሉ እተጋህደ፣ ወጽዓ «እንዳ-ሃዘጋ» ኣይዘንግዓቶን። ካብዚ ኣብ ልዕሊ እንዳኣ ተንጠልጢሉ ዝነበረ ሓደጋ ንምልቓቕ ድማ፣ ኣለው ናይ ዝበሃሉ መራሕቲ ኣተሓሳስባ መዚና፣ ብረት ናይ ምልዓል ተኽእሎ ኣድላይ ኮይኑ ረኸበቶ። ስለዚ'ውን ነቶም ኣብቲ እዋን'ቲ 15-16 ዝዕድመኦም ደቃ ልኢኻ፣ እቲ ኣቦኦም ንሓደራ ዝገደፈሎም ብረት ክርከብዎ፣ ናብ ከንቲባይ-ወሊጋብር ለኣኸቶም። ወሊጋብር፣ንሕቶ ናይቶም ክልተ-መንእሰያት ብኣሉታ መሊሱ፣ ካብ ኣቦኦም ንሓደራ እተቐበሎ ብረት ከም ዘይተረከበ ገለጸሎም። እንደገና ተዓዲሙ ብዝቐረበ እውን፣ ብወግዓዊ ማሕላ ኣብ ኣሉታኡ ነቐጸ። ብድሕር'ዚ፣ ወሊጋብር መራሒ ድምበዛን ኣንጻር «እንዳ-ሃዘጋ» ምዃን ወገኑ ኣመስከረ። ወ/ሮ ኢለን ከኣ ንጊዜኡ፣ ዓወት ደጊያት-ሃይሉ ክትቅበሎ ተገደደት።

ኣስዒቡ ከም እተጋህደ ድማ፣ ወሊጋብር ንደጊያት-ሃይሉ እዩ እተን 40 ናይ ሓደራ ብረት ኣረኪብዎ ዝነበረ።

1850 ዓ.ም.?

"ብላታ-ኾኾብ" ኣብ ራብዓይ-ዓመት ግዝኣቱ፣ ካብ እንዳ'ባ መጣዕ ንሓውዚን ብዝነቐለ፣ ወለንኪኤል ምስ መርእድ ሓው ብስምምዕ፣ ሓይሎም ዘረጋግጹሉን-ሕነ ዝፈድይሉን እዋን ከም ዝኣኸለ ተገንዘቡ። ኣብቲ ኣኸቲልና እንገልጾ ናይ ረጽሚ ፍጻሜታት ግና፣ ኣደ-ወለንኪኤል እያ ስምዒቱ ኣረሳሲና፣ ዓቢ ግደ ተጻዊታ።

1850-51 ዓ.ም.?

ካብ ዕለታት ሓደ-መዓልቲ፡ወ/ሮ ኢለን ነቲ ብውሽጣ ትሕልኖ ዝነበረት ሕነ፡ ብክእለት ክዊላ፡ ወሊጋብር ክማኸራ ንማለት፡ ብዕርክነት ናብኣ ክመጽእ ዕድመ ለኣኸትሉ። ብዝመጸ ድማ፡ ዝኣክል መስተን-መግብን ኣዳልያ ኣብ ቤታ ነዊሕ ኣዘናጋዓቶ። እዚ እናተገብረ፡ ደቃ ኣብቲ ወሊጋብር ንዓዱ ዝምለሰሉ መንገዲ፡ኣድብዮም ይጽበይዎ ነበሩ።

ወ/ሮ ኢለን ምስ'ዚ ኣወሃሂዳ፡ ኣለው ንእተባህሉ ሹማምንቲ «እንዳ-ጸዓዚጋ» እውን፡ ንኩሉ ዝጥዕም ዕርቂ ናይ ምፍጻም ዝነበራ ተበግሶ ንምግላጽ፡ ዕድመ ልኢኻትሎም ጸኒሓ እያ። ሓደ ዘርእን-ሓደ ደምን ምዃኖም ኣዘኻኺራ ድማ፡ ብእምነትን-ብዘይ-ፍርሕን ክመጹ ኣተባብዓቶም።

በዚ ዕድመ'ዚ ሓበን ተሰሚዕዎም፡ «እንዳ-ጸዓዚጋ» ንሃዚጋ ገጾም ተጓዕዙ። ወ/ሮ ኢለን ኣቐዲማ ዘዳለወቶ ስሊያ፡ ዕዱማት ጥቓ ሃዚጋ ምቕራብም ብዘመልከቱላ፡ ንወሊጋብር ተሰናበተቶ። እዚ'ውን ንዓድ-ተከለዛን ናይ ምምላስ መንገዱ ሓዘ።

መራሕቲ እንዳ-ጸዓዚጋ ኣብ ቤታ ብዝኣተው፡ ንኹሎም ኣሰረቶም። ልክዕ ኣብቲ እዋን'ቲ ድማ፡ ወለንኪኤል-መርእድን ንወሊጋብር ጒቢጦም ቀተልዎ። እዚ ግብር'ዚ ፈጺሞም፡ ደቆም ሓሓዲኦም 4-5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት፡ ፈታዊኦም ንዝነበረ ክንቲባይ-በኺት መራሒ-ካርነሽም ንሓደራ ኣረከብዎ። ንሸማግለ ወሳዲቶም(ወ/ሮ ኢለን) ኣብ ትሕቲ ጽላል ቤተ-ክርስትያን-ሃዚጋ ንዕቑባ ገዲፎም ድማ፡ መራሕቲ ጸዓዚጋ መደባቶም ከም ዘይኮልፉ ኣረጋጊጾም፡ ከፋፊሎም ለቐቕዎም።

ብድሕር'ዚ ካብ ሓማሴን ነቒሎም፡በቲ ፈታውን-ኣማኒ እንዳኦም ዝነበረ መሬት ኣከለ-ጉዛይ ሓሊፎም፡ ንትግራይ ገጾም ተጓዕዙ። ብዝበጽሑ እውን፡ ኣብ ቅድሚ ውቤ ቀሪቦም ዝፈጸምዎ ገበን ተናስሕሉ። ውቤ ምሕረት ዝቢሩ ምሳኡ ኣጽንሖም።

ኣብዚ እዋናት'ዚ፡ መረብ/ምላሽ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር "ብላታ ኾኾበ" እዩ ጸኒሑ። ኮይኑ ግን፡ ጒይታኡ ጸሚድዎም ብዝነበረ እተፈላለዩ ውግኣት፡ ዝበዝሐ እዋን ምሳኡ ክሕልፎ ተገዲዱ፡ ሳሕቲ እዩ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝቐውም ነይሩ።

ወለንኪኤል-መርእድን ከምዚ'ሎም ምስ ወጹ፡ "ክንቲባይ-ጊለት" እተባህለ ሓው መዋቲ ወሊጋብር እዩ ኣብ ምምሕዳር ድምበዛን ተተኪእዎ ዝነበረ።

ክንቲባይ-ጊለት ናይ ደም-ሕነ ንምፍዳይ፡ ዓርኩ ንዝነበረ ክንቲባይ-በኺት በዓል-ካርነሽም እቶም ህጻናት ደቂ ወለንኪኤል-መርእድን ከረክቦ ተወከሶ። ክንቲባይ-በኺት፡ ምኽንያት ብዘይርከቦ ሕማቕ-መንፈስ፡ ዓይኒ ከይሓሰየ ነቶም ቈልዑ ኣረከቦ። ጊለት፡ ኣብ ልዕል በኺት ተጽዕኖ ይኹን-ምፍርራሕ ዘብቅዕ ዓቕሚ'ውን ኣይነበሮን።

እዚ ስለ ዘይኣኸለ፡ ጊለት ነቶም ኣለው ካብ ዝበሃሉ እንዳ-ሃዚጋ ረኺቡ፡ ንወ/ሮ ኢለን እውን ከረክብዎ ሓተተ (ብቕዳምነት እውን ነቲ ክሳብ ሽዑ ኣማኻሪ ወ/ሮ ኢለን ኮይኑ ዝጸንሐ ኣይተ-ገብራይ/ንወዱን/ክንቲባይ-ሃይሉ ንእተባህለን እዩ ተወኪስዎም (ክንቲባይ ሃይሉ፡ ኣብ እዋናት ቀውዒ 1891 ዓ.ም. ኣብ ልዕሊ መንግስቲ-ኢጣልያ ብዝፈጸሞ ተደጋጋሚ ክሕደት፡ ተረሺኑ እዩ-)። እዚኦም[4] ውን፡ ተቓውሞ ከየቕረቡ ጥራሕ ዘይኮኑ፡ እቲ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብሓፈሻኡ ክቢሩ ዝጸንሐን-ዘሎን «መሰል ዑቕባ ኣብ ቤት-መቕደሳት» ዝብል ሰብኣውን-ክቡርን ሕጊ ጥሒሶም፡ ንሸማግለ ወ/ሮ ኢለን ኣረከብዎ።

ጊለት፡ ነቶም ህጻናትን/ዓባዮምን ብዝተረከበ፡ኣብ ዕሩቕ ኣጒዶ ኣሲሩ፡ንወርሒ መመ-ላእታ ብዘሰክሕ ሳቐዮም። ክሳብ'ውን ብጥሜትን-ጽምእን ተጠቒዖም ማይ-መግቢ ኣብ ዝሓተትሉ፡ ዒባን-ሽንትን እናለኣኸ፡ ትሑት ንዕቀቱ ኣግሃደሎም።

ብድሕር'ዚ ኩሉ ግፍዕታት ድማ፡ ኣብ ቅድመኡ ኣቕሪቡ ብኣረሜናዊ ኣገባብ ኣቕተ-ሎም።

ውቤ፡ ብዛዕባ'ዚ እከይ-ግብሪ ብሰምዐ፡ እቤቱታ ወለንኪኤል-መርእድን ተቐቢሉ፡ ሰባት ልኢኹ ንክንቲባይ ጊለት ኰነ-ክንቲባይ ሃይሉ፡ ናብኡ ኣቕረቦም። ቤት-ፍርዲ ኣሰናዲኡ ድማ፡ብናይ ሓባር ርእይቶ ኩሎም ሸማግለታት፡ ንሞት ፈረዶም። ብመሰረት ልምዳዊ-

ሕጊ ኢትዮጵያ ከም ዝፍቀድ ከኣ፡ እተዋህበ ፍርዲ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም፡ ኣብ ኢድ እቶም ክልተ-ኣሕዋት ኣስተለምዎም።

መርእድ፡ ከምቲ መሰሉ ዝጠልቦ፡ ምቕታሎም ወሰነ። ወለንኪኤል ግን እቲ ብቤት-ፍርዲ እተፈቕደሉ ሕነ ኣኽሊ ኰይኑ ስለ ዘይረኸቦ፡ ኣድላይ ኣብ ዝበሎ እዋን ብዝግባእ ሕነኡ ክፈዲ ንማለት፡ ብልቦና ቀረቡ ነጻ ክልቀቑ ዝብል ናይ ምሕረት-ኣቤቱታ ናብ ውቤ ኣቕረበ። ድልየቱ ተፈጺሙሉ ድማ፡ ገበነኛታት ተለቐቑ።

1854 ዓ.ም.?

ወለንኪኤል-መርእድን ሰለስተ-ዓመት ምስ ውቤ ጸኒሖም፡ ንዓዶም ምምላስ ወሲኑ'ሞ፡ እፍቲዶም ድማ ንሓማሴን ተመልሱ። ኰይኑ ግን፡ ብዘይካ'ቲ ጉልቲ ኣቦታቶም ዝኾነ ደቅ-ዘርኣይ፡ ካልእ ምምሕዳር ኣይተፈቕዶምን። 30 ጠበንጃ ተዋፂብዎም ድኣ ተሰናበቱ።

ሃዘጋ ብዝኣተው፡ ኑቲ ኣብ ውሽጦም ዝነበረ ዓሚቕ-ጽልኢ ብኽእለት ሸፊኖም፡ ንከን-ቲባይ-ጊለት ልኡኽ ልኢኾም፡ ብዝግባእ ክብረት-ክርስትያናዊ ኣገባብን ኣብ ዓዶም ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት መታን ክፍጸም፡ ሬሳታት ኣዲኦምን-ክልተ ደቆምን ክፈቕደሎም ለመና ኣቕረብሉ። ጊለት መልእኽቲ ሰሚዑ-ተቐቢሉን ኑቲ ሬሳታት ብዝግባእ ክብሪ፡ ንሃዘጋ መለሶ። ዓዲ ምሉእ ብክብሪ ዓጂቡ፡ ብዓቢ ስነ-ስርዓት ቀበሮም።

እዚ ብዝፈጸሙ፡ ወለንኪኤል-መርእድን ቡቲ ኣብ ልዕል-ህዝቢ ዘሕደርዎ ጽልዋ ተጠ-ቒሞም፡ ን " ደቅ-ዘርኣይ " ኣንጻር " ድምበዛን " ክኸትት ጸውዕዎ። ነዚ ዕድመ'ዚ ድማ፡ ኩሎም ብታሕጓስ ተቐበልዎ። ካብ ደቅ-ዘርኣይ ጥራሕ ፍላይ ዘይኮነ፡ ካበየ ክፍሊ-ሓማሴን ዝመጹ ብዙሓት ሰባት'ውን ሓበርዎም። ጊለት ብዛዕባ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ምጥርናፍ ሰሚዑ ብእዋኑ ህዝቡ ኣኪቡ " በረኸ'ንድያ " ኣብ እተባህለ ቦታ ዓሪዱ ጸንሐ። ኣብዚ ድማ ብድሕሪ ሓያል ኲናት ጊለት ተሳዒሩ 60 ምስ ዝኾኑ ሰዓብቱን 4 ደቁን ህይወቱ ኣጥፍአ። ዓድ-ተከለዛን በቶም ዝሰዓሩ ወገን ተወረሩ። ቤተ-ክህነት ኣብ ሞንጎኦም ኣትዩ ብምህለላ-ኣቤትን ስለ ዝሸምገሎም ግና ካብ ዝበኣሰ ሳዕቤን ተገላገሉ። ብዘይካ'ዚ ድማ፡ ቅርሕንቲ ሰብ-ነገር ንምህዳእ፡ ኣገባብ-ዕርቂ ፈጸሙሎም። ብመሰረት'ዚ ከኣ ወ/ሮ ጥሩ ጓል-ወለንኪኤል በዓል ሃዘጋ ምስ ወልደ-ሚካኤል እተባህለ ቦኽር-ውላድ ኣይተ-ሃይላይ ሓው መዋቲ ጊለት ተዋሰበት።

1855 ዓ.ም.

ብድሕር'ዚ ፍጻሜታት'ዚ፡ ወለንኪኤል ክሳብ'ቲ ደጊያት-ውቤ ተሳዒሩ ዝወደቐሉን (ጽድያ 1855 ዓ.ም.)/ሃጸይ-ተድሮስ ኣብ ዝፋን ዝመጸሉን እዋናት፡ ሃዲኡ ኣብ ሃዘጋ እዩ ጸኒሑ።

ሃጸይ-ተድሮስ ንጉሳዊ-ስልጣን ብዘውሓሰ፡ ንደጊያት ሃይሉን ንወዱ ተስፋጽዮን ካብ ማእሰርቲ ለቐቑ፡ ምምሕዳር ናይቲ ክሳብ ሽዑ ብግብጺ ከይተገዝአ ዝጸንሐ ተረፍ ጥንታዊ ምድረ-ባሕሪ ፈለጠሉ። ብመሰረት'ዚ ድማ፡ ንሃይሉ እተዋህበ ስልጣን፡ ካብ መረብ ጉንደትን-መረብ በለሳን/ ክሳብ መሬት-ማርያ/ ኣብ ዘሎ ስፍሓት፡ ግብሪ ናይ ምስግዳድ እዩ ዝነበረ።

ምምላስ ደጊያት-ሃይሉ ኣብ መረብ/ምላሽ ዓቢ ተቐባልነት እዩ ረኺቡ። እቲ ህዝቢ ዝሓደሮ ተስፋ ድማ፡ ሓያል-መንግስቲ ኣቕሎሙ ኑቲ ብሰረ ሹም-ነጋሪት/ ዓስከር ትግራይ/ ካብ እዋናት ሚካኤል-ስሑል ኣትሒዞም መስፍናዊ ዝምባለታት ዘሕደሩ ዞብኣውያን መራሕትን-ብኣኦም ዝውከል ባዕዳዊ ወታሃደራዊ መግዛእትን- ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ሃገሮም ዝኣተወ ዕርቃን-መከራን፡ መፈጸምታ ከግበረሉ እዩ ዝነበረ ትም-ኒቶም።

እዚ ስምዒት'ዚ ናይ ሓባር ምንባሩ ዘረጋግጽ ጭብጢ፡ ንባዕሉ ወለንኪኤል ናብ ደጊያት-ሃይሉ ቀሪቡ ኢድ ምንሳኡ፡ እኹል መረዳእታ እዩ። ደጊያት-ሃይሉ እውን ብወገኑ፡ ነዚ ሰናይ-ግብሪ ብልቦና ተቐቢሉ፡ ንወለንኪኤል ኣብቲ ብውርሻ ዝብጽሖ ጉልቲ ብሰላም ክነብር ፈቐደሉ።

ኣይተ-ኣሉላ እውን፡ ኣብቲ ነዊሕ ሓው እተኣሰረሉ እዋናት ነቲ ዓዲ ከመኣድር ጸኒሑ፡ ሓራ ንእተለቐቐ ሓው ብፍቕርን-ኣኽብሮትን ተቐቢሉ፡ ከም እውን ተኸታልን-ብጻይን ምሳኡ ተሰለፈ።

4ይ- ምዕራፍ

ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ከም እተመልከትናዮ፡ ንደጊያት-ሃይሉ ሕማቕ ዕድል'ኳ ኣጋጢ-ምዎ እንተጸንሐ፡ መጻኢ እዋናት ድኣ ንዓኡን-እንዳኡን ብሉጽ ኲይኑ ቀረበ። ነዚ ደጊፉ-ዘድመፀን ረቛሒ ድማ፡ እቲ ምስ "እንዳ-እስባጋዲስ" ጉይታ-ዓጋመ ዝመስረቶ ዝምድና እዩ ዝነበረ።

ቋራ-ካሳ፡ «ሃጸይ ተድሮስ» ተባሂሉ ምስ ተሸመ፡ ካሕሳይ ንእተባህለ ወድ-እስባጋዲስ እውን ካብ ማእሰርቲ ለቒቑ፡ ግዝኣት "ዓጋመ" መለሰሉ። ካሕሳይ፡ ምስ ደግያት-ሃይሉ እዩ ተኣሲሩ ዝነበረ። ካብዚ ብናይ ሓባር-ጸገም እተበገሰ ዕርክነት ድማ፡ሃይሉ ንቦኽር-ውላዱ ተሰፋጽዮን ምስ ጓሉ ነቲ ናይ ማሕዩር-ብጻዩ ኲይኑ ዝጸንሐ ካሕሳይ፡ ኣዋሰቦ።

ምምላስ ደጊያት-ሃይሉ ናብ ሃገሩ ግን፡ ንሓደ-ሰብ እዩ ፍላይ ኣቐይሙ። ንመርእድ ሓው-ወለንኪኤል።

መርእድ፡ ዓወት ሃጸይ-ተድሮስ ውዒሉ-ሓዲሩ ኣብ ግብሪ ከም ዘውዕል ኣቐዲሙ እስተውዒሉ ጸኒሑ፡ ንዓኡን-እንዳኡን ክርብሕ ንማለት፡ ወገን-ተድሮስ ኲይኑ ምሳኡ ሓቢሩ እዩ ተዋጊኡ ዝነበረ።

ምምሕዳር መረብ/ምላሽ ንሃይሉ ብዝተዋህበን፡ ብዝያዳ ድማ ንዘወፈዮ ኣገልግሎት፡ "ደጊያት" ብዝብል ሽመት ጥራሕ ምስ ተኻሕሰን፡ መርእድ፡ ብእንጻር ናይቲ ንሓማሲን ተመለስ ዝብል ትእዛዝ ናይዚ ሓድሽ "ንጉሰ-ነገስት"፡ ንሓማሲን ኣይተመልሰን። ጥራሕ ዘይኰነ'ውን፡ ኣብ መስርዕ ናይቲ ኣንጻር ተድሮስ እተላዕለ ደጊያት ኣገው-ንጉሰ(ወድ-ወዱ ንደጊያት-ውቤ) ተሰለፈ።

ደጊያት-መርእድ፡ ንኣገው-ንጉሰ መሪሑ ንሓማሲን ኣእተዎ። ኩናት ገጢሞም ንሃይሉ ብዝሰዓርዎ፡ ኣብኡዶም ተዓሪቖምዎ ዝጸንሑ ህዝብታት-ማርያ ዕቑባ ክሓትት ኣገደድዎ። ህዝቢ-ማርያ ብልቦና ካብ ፍጹም ውድቀት ከድሕን፡ ዓቢ ሓገዝ ኣበርኪትሉ።

ከም ሳዕቤን ናይዚ ፍጻሜታት'ዚ፡ ንጉሰ ንመርእድ ግዝኣት-ሓማሲን ከሳብ ምኽዓው-ቆሎ ፈቐደሉ። እዚ'ውን ን 15 ወርሒ ኣመሓደሮ። ኣብ ሕሉፍ እዋናት መርእድ ፈታው ስልጣን መሲሉ'ኳ እንተቐረበ፡ "ኣመሓዳሪ" ኣብ እተባህለሉ ጊዜ፡ ነዚ መዝነት'ዚ ዝበቅዕ ክእለት ከም ዝነበሮ እውን፡ ኣመስኪሩ እዩ። ብተበግሶታቱን-እተዋህቦ ሰፊሕ ኣረኣእያን ድማ፡ መላእ መረብ/ምላሽ ደጋፊኡ ኰነ። እቲ ክሳብ ሽዑ ኣንጻር እንዳ-ሃዚጋ ተሰሊፉ ዝጸንሐ ወረዳ-ሰራዩ እውን ከይተረፈ፡ ብእተፈላለየ መንገዲ ዝነበሮ ፍቶትን-ኣኽብሮትን ገለጸሉ።

በዚ መርእድ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እተጓናጸፎ ተቐባልነትን-ሓይሊ ምድላብን ግና፡ ኣገው-ንጉሰ ቅንኢን ፍርሕን ኣሕዲሩ፡ ምኽላፉ መደበ። ስለ'ዚ'ውን ንመርእድ ምሳኡ ን "ስሜን" ክብገስ ጸዊዑ፡ ንወለንኪኤል ሓው ኣመሓዳሪ ሓማሲን ክኸውን መረጸ።

ንጉሰ እዚ ፈጺሙ ንደቡብ ገጹ ብዝንቀለ፡ ሃይሉ ሰንሒት ለቒቑ ንጸዓዚጋ ተመልሰ።

ሕጂ'ውን እንደገና ወለንኪኤል ኣብ ቅድመኡ ቀሪቡ ኢዱ ነሲኡ እቲ ምሳኡ ዝጸንሐ ምልክት ስልጣን ዝበሃል "ነጋሪት" ኣረከቦ። ከምዚ'ሉም ድማ ሃይሉን-ወለንኪኤልን ን ኣርባዕተ-ዓመት ዝኸውን ብሰኒት ነበሩ። ኣብ ምንን'ዚ እዋናት'ዚ፡ ንጉሰ ተሳዒሩ ተቐትለ። ደግያት-መርእድ ከምልጥ ክኢሉ፡ ኣብ "ገዳም ደብረ-ቢዘን" ተዓቝበ። ብዘይምስትውዓል ብዝወሰዶ ተበግሶ ግን፡ ን "ጉራዕ" እትዩ ኣብቲ ብተድሮስ እተላእከ ደጊያት-ሳህሉ ቀረበ። ሳህሉ ኣብ ግብሪ ብዘየውዓሎ መብጽዓታት ኢታሊሉ እዩ ናብኡ ኣቕሪብዎ ዝነበረ። ብዝመጸ እውን፡ ኣሲሩ ን"መቅደላ" ናብ ተድሮስ ኣረከቦ። ኣብ መቅደላ እውን ተቐትለ።

እቲ ኣብ ሞንጎ ሃይሉ-ወለንኪኤል ነይሩ እተባህለ ስምምዕ፡ ብመሰረት ዋንነት ናይቶም ክልተ ከም /ዓድ-ቢደል/ ዓመጺ/ ዝፍለጡ ዓድታት እዩ ክፋሓፋሕ ጀሚሩ።

እቶም ኣብዚ ቦታ ዝነብሩ ህዝቢ፡ ካብቲ ከም "ጠንቀ-ጸምፋይ" ዝፍለጥ ሰሜናዊ-ክፍሊ ዝመጹ እዮም። ኰይኑ ግን፡ እዞም ክልተ-ዓድታት ምስቲ ዘውንንዎ መሬት፡ ኣብ ምድሪ-ደቅ ዘርኣይ- ወይ'ውን ኣብ መሬት "ርስታዊ ጉልቲ እንዳ-ሃዘጋ" እዮም ዝርከቡ። ካብ እተመስረትሉ እዋናት ኣትሒዞም ድማ፡ ከም ውሰጠ-ጉልቲ እዮም ክፍለጡ ጸኒሖም። ማለት ነቲ ህዝቦም ብንጻ እተዋህበ ሕድገት ብምዃኖም፡ ካብ ምምሕዳር ሹም-ጉልቲ ናይቲ ዝርከብሉ መሬት፡ ሓራ እዮም።

ባህሊ-ማሕበራዊ ስርዓትን ኢትዮጵያ እንተተመልከትና እውን፡ ህዝብታት ዓመጺ-ዓድ ቢደል፡ ብኣባላት ካልእ ነገድ ዝኾኑ ህዝቢ ክዓንዩን- ንዓኦ ክግብሩን፡ ኣይፍቀድን ዝነበረ። እዚ ተኸእሎ'ዚ፡ ንንጉስ ወይ ነቲ ንዓኡ ዝውክል "ሹም-ነጋሪት" ብፍላይ እዩ ዝውሰን-ዝምልከትን ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ዝነበሮም ልኡል ማሕበራዊ-ደረጃ፡ ኣብ ዞባኣዊ ለሳን-ጉለሳን ኰነ ኣብ ብሕታዊ ወይ እንዳዊ ጥቕምታት ምእታው ስለ ዘይፈቅድ እዩ። ስለዚ እውን "ሻርነት" ዘይብሎም ተባሂሎም እዮም ዝእመኑ ነይሮም።

«እንዳታት-ጸዓዘጋ»፡ ንዞባኣዊ ባህሊ-ልምዲ ዓቢ ኣኽብሮት ምሃብ ዝብል ፖሊቲካዊ-መምርሒ ካብ ቀደም ስለ ዝጸንሖም፡ መሰላት ናይዞም ክልተ-ዓድታት ዝገሃስሉ እዋን ኣይዝከርን። «እንዳ-ሃዘጋ» ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣታሓሳስባ ኣይጸንሖምን ጥራሕ ዘይኰነ፡ ኣብቲ ነዊሕ ናይ ፋሉልነት እዋናት፡ ንዓድ-ቢደል/ ዓመጺ/ ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ምምሕዳሮም ክቖርንዎም ዓይኒ ኣይሓሰዩን።

ደጊያት-ሃይሉ ነቲ ብህዝቢ ዝቐረበሉ ኣቤቱታ ተቐቢሉ፡ኣብ ጥንታዊ ርእሰ-ምምሕዳሮም ክምለሱ ንማለት፡ ንወለንኪኤል ኣብ እተፈላለየ እዋናት ናይ ዘተ-ዕድመ ይልእከሉ ነበረ። መልሲ ግን ኣይረኸበን። እቲ ምስሕሓብ እናበኣሰ- ነገሮም እናኸረረ ብዝኸደ ከም ዝመስሎ፡ ሃይሉ ኣብ ፈኸራ እውን በጽሐ። ስለ'ዚ እውን ወለንኪኤል ብኣከለ-ጉዛይ ኣቢሉ፡ ኣብ ህዝቢ "ዓሳውርታ" ተዓቚበ። እንዳኡ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ እዩ ምስ ዓሳውርታ ኰነ- ምስቶም ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ዝምድናኡ ኣደልዲሉ ጸኒሑ።

1866 ዓ.ም.?

ወለንኪኤል ሓደ-ዓመት ዝኣክል ኣብዚ ጸኒሑ፡ ናብቲ ዓዱ ለቒቑ ን"ዓድዋ" ዝገዓዘ ናይ «ዋግ-ሹም ጉብዜ በዓል ላስታ» ክጽምበር ንማለት፡ ንዓድዋ ኣተወ። ጉብዜ፡ ምስ ተድሮስ ኣብ ጽልኢ ኣትዩን- ተቓዋማይ ኰይኑን- ኣብ ትግራይ እዩ ተዓቚቡ ዝነበረ። ኣብዚ'ውን ዓበድበድ ናይቲ ንጉስ ዘጽልእምን- ቂራ ካሳ ኣብ ዝፋን ቅድሚ ምምጻኡ ነቲ ዳግም ሒዞምዎ ዝጸንሑን ንሓደ ክፍለ-ዘመን ምሉእ ዝዓቀብዎን ጸብለልትነት ኣንደገና ንሰሜን-ኢትዮጵያ ናይ ምምላስ ትምኒት ዝነበሮምን፡ ብዙሓት ሰዓብቲ ክረክብ ከኣለ።

ጉብዜ ንወለንኪኤል ብጽቡቕ ተቐቢሉ፡ ኣንጻር ደጊያት-ሃይሉ ክሰልፎ ንማለት ደጊያት ዝብል ሽመት ሂቡ፡ ኣመሓዳሪ ምሉእ መረብ/ምላሽ ክኸውን መረጾ።

ደጊያት-ሃይሉ፡ እቲ ብዞብኣውያን መራሕቲ ላስታ-ትግራይ እተላዕለ ተቓውሞ-ናዕብን፡ ንዓኡ ኰነ ንመረብ/ምላሽ ዘኸትሎ ጥቕሚ ስለ ዘይተረኣዮ፡ እሙን ተኸታሊ ሃጸይ-ተድሮስ ኰይኑ ምጽባይ መረጸ።

ደጊያት-ወለንኪኤል፡ እቲ ብጉብዜ እተዋህቦ ስልጣን ከንቱ፡ መዝነት-ሽመትን ኰይኑ ክይተርፍ፡ ላዕልን-ታሕትን በለ። ቅድም-ኩሉ ድማ ነቶም ኣብ መረብ/ምላሽ ዝጸንሑ ንኡሳን መራሕቲ ምጥርናፍ መረጸ። እዞም እተጠቕሱ ንኡሳን መራሕቲ-ዞባ፡ ኣብቲ ማእሊያ ዘይነበሮ ምብልሻው ማሕበራዊ-ስርዓት፡ ካብቲ ብባህሊ ዝጸንሐ ዕብለላ እንዳ-ጸዓዘጋ ንምልቃቕን/ካብኡ ሓሊፎም እውን ካብ ምልኪ ዝኾነ ይኹን ማእከላይ-ስልጣን ሓራ ዝኾንሉ መንገዲ እዮም ዘናድዩ ነይሮም። ኣብቲ ብድሕሪ-ሃይሉ ዝሰዓበ እዋናት ድማ፡ ንከምኡ ከም ሃይሉ ዝኣመሰሉ መስተውዓልቲ መሳፍንቲ፡ ጥቕሞምን-ጥቕሚ ህዝብን ኣወሃሂዶም፡ ንትዕቢትን-ዘይዓግብ ሸውሃት ናይዞም ንኡሳን-መራሕቲ ክኾልፉ ንዝኽእሉ ሰበ-ስልጣን ምቅዋም ዝብል ዕላማ እዩ ጸሊሕዎም። ብሓጺሩ ንዝጸንሐ

ኣባታዊ ሕገ-ስርዓት ሰሪዞም፡ ንባዕሎም መስፍናውያን-ጐይቶት ናይ ምዃን ዝምባለ እዩ ዝነበሮም።

ካብቶም ዝሓየሉ ንኡሳን-መራሕቲ ስለዚ'ውን ብዝያዳ ኣንጻር-ሃይሉ ዝነበሩ፥ እቲ ናይ ምሉእ ደቃ-ተሰፋ ጐይታ ኰይኑ ዝጸንሐ "ኣይተ-ወንደፍራሽ በዓል ዓረዛ"/ "ባሕረ-ነጋሲ ወልደስላሴ በዓል ኾርባርያ"/ ደጊያት-ገረመድህን እተባህለን(ወዱ ንሓደ ኣብ ኰዓቲት ዝነበረ ሓረስታይ እዩ። ዓርኪ ወለንኪኤልን- ምሳኡ ተሰሊፉ ብምንባሩን፡ጐበዜ እዩ "ደጊያት" ኢሉ ሸይምዎ ዝነበረ)፡ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

ወለንኪኤል እቲ ብጐበዜ እተዋህቦ መዝነት ከፍልጦም ንማለት፡ ኣከታቲሉ ንነፍስ-ወከፎም በጽሖም። ብወገኑ ኵይኖም ነቲ ንሶም'ውን ዝጸረርዎ ደጊያት-ሃይሉ ክገጥምዎ ሓገዞም ከወፍዮሉ ኣተባብዮም። ምእንት'ዚ ድማ፡ ንኣይተ-ወንደፍራሽ ግዝኣት ምሉእ ደቃ-ተሰፋ/ ንባሕረ'ጋሲ ወልደስላሴ፡ እገላ- ተድረር- መረታ/ኣብ መወዳእታ ድማ ንደጊያት-ገረመድህን፡ናይቲ ብፍላይ ክም ኣከለ ጉዛይ ዝፍለጥ ወረዳን- ናይ ሽመዛና/ ምምሕዳራት ፈለጠሎም። በዚ ኣገባብ'ዚ፡ ደጊያት-ወለንኪኤል እኹላት ሰዓብቲ ኣጥርዩ ብከኔው-መረብ ድማ፡ ሃይሉ ንምግምጣል ዝበቅዕ ሰራዊት ክእከብ ከኣለ።

ሃይሉ፡ ነዚ ኣንጻሩ እተወሰደ ስጉምትታት ብዝተረድኦ፡ ሰዓብቱ ኣኼቲሉ ኣብ ሰራዩ ዓረደ (ኣብዚ ወረዳ'ዚ ምስ ሓድ-ሓደ መራሕቲ ቅርሕንቲ'ኳ እንተጸንሐ፡ መብዛ-ሕትኡ'ቲ ህዝቢ ተኸታሊ እንዳ-ጸዓዘጋ እዩ ዝነበረ)። ኣብ ሰራዩ እዩ'ውን ንወለን-ኪኤል ክገጥሞ ዝነበረ መደቡ።

ወለንኪኤል ብወገኑ፡ ኣብዚ ንሃይሉ ዝጥዕምን ድሮ'ውን መከላኸሊ መስመራት ኣዳልዩን ዝጸንሖ ቦታ ከይገጥሞ ዕድል ንምኽላእ፡ ኣብ ክንዲ ናይ ፊት-መጥቃዕቲ፡ ብእዝዩ ፍጡን-ትኩርን ምንቅስቓስ፡ በቲ ምሳኡን-እንዳኡን ጽቡቕ ዝምድና ዝጸንሖ ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ ሓሊፉ፡ መንገዲ-ሓማሴን ሓዘ። ሓንቲ-ተኹሲ ከይተኩሰ'ውን ሃንደበት ጸዓዘጋ ኣትዩ ሓዊ ኣቃጸሎ። እዚ ግቢሩ ድማ፡ ንካርነሽም ክለዓሉን ምሳኡ ኩሓብሩን ጸውዒት ገበረሎም። ብዘይካ ዓድ-ንፋስ ከኣ፡ ኩሎም ነቲ ዕድመ ተቐበልዎ- ተዳለ-ውሉን።

ንመቕጻዕቲ ተቓዋማይ ዓድ-ንፋስ፡ ወለንኪኤል ናብዚ ዓዲ ኣትዩ 60 ዝኾኑ ሰባት ቀቲሉ ዝኣኸሎ ራስዩ- ሓዊ ኣቃጺልዎ ወጸ።

ሃይሉ ብዛዕባ'ዚ ፍጻሜታት'ዚ ብዝሰምዐ፡ ንወለንኪኤል ክቐጽዕ ንማለት፡ ካብ ሰራየ ተበገሰ። ክልቲኦም ተጻረርቲ-ወገናት፡ ኣብቲ ክም "ብርሃኑ" ዝፍለጥ እስላም ዝነብርዎ ቁሸት ኣብ በረኽቲ ሰሜን-ኣስመራ ተጋጠሙ(ዛጊት ኣብዚ ቦታ'ዚ ፖርቶግዛውያን ዝሃነጽዎም ኣባይቲ ይርከቡ)።

እቲ ኲናት፡ ነዊሕን-ደማውን ነበረ። ኣብ መወዳእታኡ ድማ፡ ወለንኪኤል ተሳዒሩ ምስቶም ዝርከቡ፡ እንደገና በቲ ፈታዊኡ ዝኾነ ወረዳ ኣከለ ጉዛይ ሓሊፉ፡ ንትግራይ ክምለስ ተገደደ።

ናይ ዋግ ሹም-ጐበዜ፡እንደገና ብፍታው-ጽቡቕ እንግዶትን ተቐበሎ። ከጸናንዖ ንማለት ድማ፡ "ዓድ-ኣቦ" ናይ እተባህለ ዓዲ ኣብ ትግራይ፡ ኣመሓዳሪ ክኸውን መረጾ።

እዚ ዓድ'ዚ፡ ወገን ሃጸይ-ተድሮስ እዩ ዝነበረ። ስለ'ዚ ጐበዜ በዚ ኣቢሉ፡ ክልተ-ዕድል ኣብ ሓደ-እዋን ከውሕስ እዩ ዝነበረ ዕላማኡ። እቲ ቀዳማይ፡ ተጻራሪኡ ንዝኾነ ዓዲ፡ ኣብ ትሕቲ ምልኩ ንምሓዝ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡በቲ ንኩናት ተባሂሉ ዝዋጻእ ፈሰስ፡ ወለንኪኤልን-ሰዓብቱን ክዕንገሉ ንማለት እተገብረ መደብ እዩ።

ጐበዜ፡ንወለንኪኤልን-ሰዓብቱን ብወገኑ ከጽንሖም፡ ረብሓ ነይርዎ እዩ።

1867 ዓ.ም.?

ወለንኪኤል ቅድሚ ን "ዓድ-ኣቦ" ምብጋሱ፡ጐበዜ ሓደራ ንማለት፡ *ወይዘሮ ሰላሽ/ ደጊያት-ጉብሳ*/እተባህሉ ክልተ-ሰባት፡ ምሳኡ ክማልኣምን-ሓላፍነት ክወስደሎምን እውን ኣማሕጸና።

እተጠቕሱ ክልተ-ዜጋታት፡ ንደጊያት-ካሳ ተምቤናይ(ካብ እንዳ-ራእሲ ሚካኤል ስሑል) ማለት ነቲ ስዒቡ ብስም «ሃጸይ-ዮሃንስ» ዝነገሰ-ንጉስ፡ ኣዲኡን-ሓውን ምዃኖም

እዮም። ደጊያት-ካሳ ተምቤናይ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ፈታው ጐብዚ- ጸረ ሃጸይ ተድሮስን እዩ ዝነበረ።

ወ/ሮ ሰላሽ-ደጊያት ጉብሳን፣ ኣብ "ሽረ" ናይ እትቶትለ ናይ ተምቤን-ሹም ምርጫ ወይ መረሻ ሕነ-ምፍዳይ እዩ ጉዳይ መገሻእም ዝነበረ። እተጠቕሰ ናይ ተምቤን ሹም፣ ንወ/ሮ ሰላሽ በዓል ቤታ፣ ንበዓል ደጊያት-ጉብሳ ድማ ኣቦእም ምኳኑ እዩ።

ወለንኪእል ንዓድ-ኣቦ ገጹ ጉዕዞ ብዝሓዘ፣ ኣብ ኩሉም'ቶም ዝሓለፎም ዓድታት፣ ሰብ ኣይረኸበን። እቶም ህዝብታት ንዓዶም ገጹ ይቐርብ ምህላው በብዝሰምዕሉ፣ ዓዲ ራሕሪሖም ይወጽሉ ነበሩ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፣ "ቀያሕታ" ኣብ እተባህለ ዓዲ ብዝኣተወ፣ ኣብኡ ምሕዳር ወሰነ። ኣብዚ'ውን እቲ ህዝቢ ዓዲ ለቒቑ እዩ ጸኒሑዎ። ወለንኪእልን ሰዓብቱን ኣብ ዝገበርዎ ጉዕዞ ዕንቅፋት ስለ ዘይገጠሞም፣ ደጊም'ውን ተኣማሚኖም- ሓለዋ ዘንጊዖም ዓቕን ብዘየፍእ ኣገባብ፣ ኣብ መግብን-መስተን ኣተኵሩ። ምእንት'ዚ'ውን ተቐጽዑ። ምኽንያቱ ብለይቲ፣ ኣብቲ ብድሕር ወኻዕካዕ ዝሰዕብ ዓሚቝ-ድቃስ ተዋሒጦም እንከለው እቶም ኣብ ከባቢታት ተደቢቖም ከጸናተው ዝጸንሑ ደቅ-ዓዲ፣ ሃንደበት ከበብዎም። ካብ ተኸተልቲ ወለንኪእል ሓደ-ክፋል ተቐትለ፣ እቲ ዝተረፈ ድማ ተበ-ታተነ።

ወለንኪእል- ወ/ሮ ሰላሽ- ደጊያት ጉብሳ፣ ተማረኹ። ወ/ሮ ሰላሽ ኣዝያ እትጽላእ-ሰብ ብምንባራ፣ ብትእዛዝ ኣይተ-ካሕሳይ እተባህለ ሓላፊ ናይቲ ዓዲ ሸዑ ንሸዑ ብጸድፊ ደፊእም ቀተልዋ። ወለንኪእል-ጉብሳን በብወገኖም ኣብ በዓቲ ተዓጽዮም፣ ልዕሊ ዓመት ተኣስሩ።

5ይ- ምዕራፍ

ኣብቲ እንግሊዛውያን ንሃጸይ-ተድሮስ ከማርኹ ይዳለው ዝነበሩ ናይ ህዉብላ እዋናት፣ ሕጋዊ-መራሒ ናይ መላእ ትግራይ፣ "ራእሲ-ባርያው" እተባህለ በዓል ሽረ እዩ ዝነበረ። ብሃጸይ-ተድሮስ እዩ'ውን ነዚ ኣብ ሞንጎ መረብ/ተከዘ ዝርከብ መሬት-ዓድታትን ብምሉኣቶም ዘመሓድር ስልጣን ተፈቒድሉ።

ብግብሪ ግን እቲ ራእሲ-ባርያው ዝነበሮ መዝነት፣ ካብቲ እተወልደሉ ከባቢታት-ሽረ ሓሊፉ፣ ድኹም ጽልዋ እዩ ዝነበሮ። ብእንጻር'ዚ፣ ናይቲ ድሮ እተጠቕሰ ደጊያት-ካሳ ተምቤናይ ተፈላጥነት-መዝነትን እዩ ክብ እናበለ መጺኡ።

ደጊያት-ካሳ፣ ምስ ናይ ዋግ-ሹም ጐበዜ ጉይታ ላስታ እዩ ሓቢሩ ዝነበረ። ዋግ-ሹም ጐበዜ፣ ናይቲ ብንግስቲ "ትረዳ-ቃብጽ"[6] (እሳት፣ እተባህለት ንግስቲ) ዝብገስ ናይ ዛጔ-ስርወ ትውልዲ ዝነበሮ እዩ። ኣብ ታሪኽ ምውርራስ ዝፋን-ኢትዮጵያ፣ ናይ መወ-ዳእታ ወኪል ናይዚ ስርወ'ዚ ድማ፣ «ህዝባይ» እተባህለ ንጉስ እዩ። ህዝባይ እዩ'ውን ብ "ብጹእ መንኵስ ተክለሃይማኖት" ተማዲዱ፣ ውሽማዊ-ሰላም ንግስነት ኢትዮጵያ መታን ክዕቀብ፣ ብፍታው ነቲ ወራሲ "ሰሎሞናዊ-ስርወ" እተባህለ «ይኩን-ኣምላክ» ዝፋን ንግስነት ኣረኪቡ ዝበሃል።

ኣብ ሞንጎ ጐበዜ-ካሳን ዝነበረ ውዕል፣ ብናይ ሓባር-ጻዕሪ ኣንጻር ተድሮስ ኩቲቶም ኣብ ዝተዓወትሉ፣ ካሳ ንጉስ-ትግራይ/ጐባሲ ድማ ንጉሰ-ነገስት ዝብል ክብረ ተፈሊጥሉ ሃጸይ ብዝብል መዓርግ፣ ግዝኣት-ኣምሓራ ክወሃቦ እዩ'ቲ ስምምዖም ዝነበረ።

ክሳብ'ቲ ካሳ ብዛዕባ ቅትለት ኣዲኡን-ማእሰርቲ ሓውን ዝሰምዓሉ እዋናት ድማ፣ እቲ ጉዳይ፣ ከምዚ'ሉ እዩ ተመዲቡ ዝነበረ። እተጠቕሱ ፍጻሜታ ግና፣ ብረት ኣልዒሉ ካብ ተምቤን ተበጊሱ፣ ንራእሲ-ባርያው ብዛዕባ'ቲ ተኸተልቱ ኣብ ዓድ-ኣቦ ዝፈጸምዎ ናይ ንዕቀትን-ቅትለትን ገበን፣ ንምቕጻዕ ደፋፍእዎ። እዚ ክልተ-ተጻረርቲ ወገን፣ ኣብ ከባቢታት ዓድዋ "ምትካሉ" ኣብ እተባህለ ቦታ፣ ኩናት ገጠሙ። ሓያል-ውግእ ብዝተገብረ ድማ፣ ራእሲ-ባርያው ተሳዒሩ ከምልጥ ተገደደ። ደጊያት-ተኸለጊዮርጊስ

---

[6]- ኣብ ታሪኽ-ኢትዮጵያ፣ እስተር-ዮዲት ወይ ጉዲት ብዝብሉ እተፈላለዩ ኣስማት ትጥቀስ።

እተባህለ ሓው ግን፡ ኣብቲ ኩናት ተቐትለ። ከምዚ'ሉ ደጊያት-ካሳ ጕይታ ምሉእ ትግራይ ከኸውን ብዝበቐዐ፡ ንደጊያት-ጉብሳ እተባህለ ሓውን/ ንደጊያት-ወለንኪኤልን ካብ ማእሰርቶም ለቐቖም።

ካሳ ንዝነበሮ ክብ ናይ ምባል ትምኒታት ቀዳምነት ሂቡ ግን፡ "ሕነ-ውሉድ" ዝብል ስምዒት ኮነ መሰል ንወገን ገዲፉ፡ ኣብቲ ቦታን-እብቲ ሕብረተ ሰብን ተሰሚዑ ብዘይፍለጥ፡ ንቀተልቲ ኣቦኡን-ኣዲኡን ምሕረት ገበረሎም።

ወለንኪኤል ሓራ ብዝወጸ፡ ማዙፍ-ሰራዊት ንደገፍ ተዋሂብዎ-ግዛኢ ምሉእ መረብ/ምላሽ ተሰምዩ ብ "ካሳ" ንሓማሴን ተላእከ። እንተኾነ ግን፡ ደጊያት-ሃይሉ እውን ብግደኡ፡ ስልጣን ናይ'ቲ እዋናዊ-ሓያል ተቐቢሉ፡ ኢድ ከሰስእ ን "ዓድዋ" ተበገሰ።

ካሳ፡ እቲ ንወለንኪኤል ዝፈለጠሉ መዝነታት ስሒቡ፡ንሃይሉ ኣብ ናይ ጥንቲ መስፍናዊ-ጕይትነቱ መለሶ። ንወለንኪኤል ድማ፡ ኣብ ልዕል'ቲ ውርሻ እንዳ-ሃዘጋ ዝኾነ ጉልቲ ደቅ-ዘርኣይ፡ ጉልታት ድምበዛን-ካርንሽም ደሪቡ ከመሓድሮም ወሰኑሉ።

ነዚ ብካሳ እተፈጸመ ምምቕቓል ናይዚ ወገናት፡ ከልተ እተፈላለዩ ትርጉም ይቐርብዎ፥

እቲ ቀዳማይ፥ ካሳ እዚ ክፍጽም ዝደረኾ፡ ዝሓለፈ ወለዶኡ እውን ተገዚኡሉ ዝነበረ፡ ንክብረ መሬሕነት ናይቲ ጥንታዊ-ሓያልን እንዳ-ጸዓዘጋ ምፍላጥ እተገብረ እዩ ዝብል መጕተ ከኸውን እንከሎ-

እቲ ካልኣይ ከም ዝብሎ ድማ፡ ኣብ ሓደ እዋን ህላወ ናይዞም ዘይዕረቑ ክልተ-እንዳ ዓቂብካ፡ ንህዝብታት መረብ/ምላሽ ምክፍፋል ዝኣመተ ኮይኑ፡ እቲ እናጐልሐ-እና-ደምበን ክምዕብል ዝጸንሐ ናይ ስኒት-ዕርቅን ዝምባለታት ገንፊሉ፡ ኣብ ፍጹም ሓርነት ናይዚ ብሉጽ-ኣገዳስን ኣውራጃ[7] መዕለቢ ከይረክብ፡ ብኢጋ ምኹላፉ ተባሂሉ እተኣልመ-መርበብ ምዃኑ ይኣምን።

እዚ ኣብ ድሓር እተጠቕሰ ኣተሓሳስባ እንተድኣ ንይሩ ኮይኑ እቲ ካሳ ዝወጠኖ መደብ፡ ናይ ብሓቂ ሸቶኡ ኣይሰሓተን ክበሃል ይከእል።

ምንጸል ድምበዛን-ካርንሽም፡ ንደጊያት-ሃይሉ ኣዝዩ ዘጕሃየ ጉዳይ ኮነ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ ጥንታዊ መናበሪኡ ማለት ኣብ ጸዓዘጋ፡ ጕረቤት ናይቲ ሓይሊ ደሊቡ ኣብ ሃዘጋ ዝመንባብሮኡ ወለንኪኤል ምቕማጥ፡ ቅሳነት ዝህብ ኩነታት ኣይኮነን ዝነበረ። እቲ ክልተ-ቦታ እተቐራረበ ብምዃኑ።

ስለ'ዚ ካብ ጸዓዘጋ ግዒዙ፡ "ማዕድዖ" ኣብ እተባህለ ቦታ ኣብ ሰራየ ዋና-መደበሩ ኣቐመ። ኣብዚ'ውን ራእሲ-ባርያው በዓል በዐሳ/ ደጊያት ገብረተኸለ/ ካልኦት ካብ ካሳ ዘምለጡ መራሕትን ሓበርዎ። ደጊያት-ገብረተኸለ ግን፡ እሙን ዓርኪ-ሃይሉ መሲሉ'ኳ እንተቐረበ፡ ብግብርስ ምንቅስቓስ ሃይሉ ንምቍጽጻር ብካሳ እተላእከ ሰላይ-ሃሱስ እዩ ዝነበረ።

ኣብ ሓጺር እዋን እዚ "ማዕድዖ" እተባህለ ቦታ፡ ማእከል-መእከቢ ናይቶም ተጻረርቲ ካሳ ኮይኖም፡ ተስፋታቶም ኣብ ሃይሉ ዘንበሩ ባእታታት ኮነ። ከምዚ'ሉ ድማ ሃይሉ ዝነበሮ ስልጣን ካብ ዕለት ናብ ዕለት ሓይሊ ደለበ።

ካሳ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ምጥርናፍ፡ ብወካሊኡ ኣቢሉ ደቂቕ-ጸብጻብ ብዝረኸበ፡ ሓያል-ሰራዊት ኣኸቲሉ፡ ሃንደበት ኣንጻር-ሃይሉ ተላዒሉ ንምሉእ ሰራየ ወረሮ።

ሃይሉ ብዝግባእ ስለ ዘይተዳለወ፡ክገጥሞ ኣይከኣለን። ስለዚ'ውን ብዘይ-ኩናት ተመለኸ።

ካሳ፡ ግዝኣት ሓማሴን ክኣብ "ምኽዓው-ቆሉ" ንወለንኪኤል ኣረኪቡ፡ ንደጊያት-ገብረተኸለ ናይ ሰራየ ሹም-ነጋሪት ሸይሙ፡ ንደጊያት-ሃይሉ ማሪኹ ምሳኡ ንትግራይ ተማልአ። ራእሲ-ባርያው ግን ከምልጥ ከኣለ።

---

[7]- ከም ዝዝከር፡ ብ 1867 ዓ.ም. ደጊያት-ሃይሉ ከም መጠን ጕይታ መረብ/ምላሽ፡ ኣባ-ሰተላ ን እተባህለ ካህን፡ ሕርሻዊ ማሕበረ-ኮም ክቕውም፡ "ሾተል" እተባህለ ቦታ፡ ፈቒድሉ ነበረ።

1868 ዓ.ም.

እዚ ፍጻሜታት'ዚ፡ ሰራዊት-እንግሊዝ ን "መቅደላ" ገጹ ኣብ ዝሓዞ ጉዕዞ፡ "ተረንታ" ኣብ እትባሀለ ቦታ በጺሑ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ እዩ ተኻይዱ። ብ 13 ሚያዝያ 1868 ዓ.ም. ተድሮስ ነብሱ ብዝቐተለ፡ ናይ ዝፋን-ውርሻ ዝብል ሕቶ ከም እንደገና ተላዕለ። ብመሰረት ናይቲ ኣቐዲሙ እተገብረ ስምምዕ ግና፡ ዋግ-ሹም ጐበዜ፡ ምምሕዳር ኣምሓራን- "ሃጸይ ተኽለጊዮርጊስ ዳግማይ" ብዝብል ሽመት፡ ዝለዓለ ስልጣን ናይ መላእ ኢትዮጵያ ተረከበ። ከም ስምምዖም ድማ ካሳ፡ ገዛኢ ናይ ኩሎም'ቶም ብ ነጀው ፈለግ-ተከዘ ዝርከቡ ዓድታት ክኸውን ተፈቕደሉ። ርዱእ ከም ዝኾነ ድማ፡ ብትሕቲ ንጉስ ንዝስራዕ መስፍን እተዋህበ ግዝኣት'ዚ፡ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ ዝነበረ። ምእንት'ዚ'ውን ኣብ ሞንጎኦም ዝጸንሐ ስኒት፡ ነዊሕ ዘይኰነ ዕድመኡ። ካሳ፡ ዝለዓለ ስልጣን ምሓዝ እዩ ዝነበረ ዕላማኡ። ተኽለጊዮርጊስ እውን ብወገኑ፡ ኣብ ትሕተኡ ክቕየድ ዝግበኦ መስፍን፡ ልኡላዊ-ስልጣን ክዋኽበረ ብምሉእ ሓርነት ክንቀሳቐስ ምርኣዩ፡ ቅሳነት ኣየሕደረሉን። ኣይተቐበሎን እውን።

ወለንኪኤል ብወገኑ ኣብቲ እተወሰኖ ንእ-ስ-ግዝኣት፡ ኣይቀሰነን። ሓላፍነት ናይቶም ብውልቀ ዝመሓደሩ ክፍለ-ወገናት ብጸቢብ ምቍጽጻር ዝብል ካሳ ዝኸተሎ ፖሊቲካዊ-ሜላ ብተወሳኺ፡ ኑቲ ዝርካቡ እውን ከየግድፎ ስግኣት ኣሕዲሩ፡ ወለንኪኤል፡ ወገን ናይቲ ድሮ ምስ ካሳ ተፋጢጡ ዝጸንሐ ሃጸይ-ተኽለጊዮርጊስ ምኻን መረጸ። ብሰቲ'ር እውን ርክባቶም ጀመሩ።

ካሳ፡ ብዝነበሮ ጥንቁቕ-ሓለዋ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ብዛዕባ'ዚ ርክባት ተነጊሩ፡ ንወለንኪኤል መስቀል ንምብጻል ዕድመ ለኣኸሉ። ግቡእ ሓለዋ ዘንጊው ወለንኪኤል ንዓድዋ ብዝኣተወ፡ ብኡንቡኡ ተመቝሒ ኣብ ሓደ-እምባ ተሓየረ። ዋግ-ሹም ጉብሩ እተባህለ ዘመድ ሃጸይ-ተኽለጊዮርጊስ ድማ፡ ሹም-ነጋሪት ተሰምዩ፡ ሓማሴን ከመሓድር ብ ከኤው-መረብ ተላእከ።

ደጊያት መኰንን-ደጊያት መስፍን እተባህሉ ክልተ-ደቅ ወለንኪኤል፡ ዓዲ ለቖቕም ኣብቶም ወትሩ ልቦና-ሕያውነት ዘላልዮም ቤት-ታዓቄ ኣብ ሓልሓል ተዓቕቡ።

1871 ዓ.ም.

ኣብ ሳልሳይ-ዓመት ናይቲ እንግሊዝ ተልእኾኦም ፈጺሞም ዝወጽሉ እዋናት፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ካሳ- ሃጸይ ተኽለጊዮርጊስ ዝጸንሐ ናይ ስልጣን ምስሕሓብ እናበኣሰ ብምኻዱ፡ ሃጸይ-ተኽለጊዮርጊስ ሰራዊት ኣኽቲቱ፡ ንትግራይ ተላዕለ። ካሳ ለጠቕ ዝበለ ሓይሊ ብምንባሩ፡ ኣብ ጕላጕል ክንጥሞ ከም ዘይክእል ተገንዘበ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ብቆራጽነት ምግጣሙ፡ ኣብ ጥንቁቕ ምክልኻል ጸኒሑካ ጊዜ ምኽሳብ መረጸ። እዚ ስልት'ዚ ከም ዘርብሖን ኣብ ዓድ-ሓበሻ እውን ብዙሓት ኲብለልቲ ኣብ እተፈላለየ እዋናት እተጠቕምሉን-ዝረብሑሉን ኣገባብ ምንባሩ ኣይስሓቶን። ብግብሪ ድማ ነዚ ሜላ'ዚ ተኸተለ።

እቶም ካብ ላስታ-ዓድ ኣምሓራ ንትግራይ ዝመጹ ሰራዊት ሃጸይ-ተኽለጊዮርጊስ፡ ባዕዳውያን ተባሂሎም፡ ጽሉኣት እዮም ዝነበሩ። ልክዕ ከም'ቶም ካብ መሬቶም ወጻኢ ውታሃደራዊ-ፍጻሜታት ንምክያድ ብ "ራስያ" ክናበሩ ዝግደዱ ሰራዊት-ዓድ ሓበሻ ድማ እዚኦም'ውን ብከምኡ ክነብሩ ስለ እተገደዱ፡ እቲ ጽልኢ ካብ ዕለት ናብ ዕለት በኣሰ። እዚ እዩ'ውን ንህዝብታት ትግራይ ጸግዒ ካሳ ክኾኑ ዝደገፈ ምኽንያት። ብኣንጻሩ ግን ን ሃጸይ-ተኽለጊዮርጊስ፡ ምስቲ ዝነበሮ ብዝሒ ተኸተልትን- ድኽነት ናይቲ ሃገርን- ዝነበረ ፍተሻ ራስያን- ኣብ ገፊሕ ስፍሓት መሬት ምውሳኡን ስለዚ ራሕቂ እውን ከም ኣሉታዊ-ረቛሒ ስለ እተደመሮን፡ ምዝርዛር ሰራዊቱ ኣኸተለሉ። እዚ ከይኣክል፡ ከም ተወሳኺ ጸገም እተደረቦ ድማ፡ ብዝሒ ናይቶም እተኸተልዎ ፈረሰኛ-ጋላ እዩ ዝነበረ።

ናይ ሓዊ ብረት ኣብዚ ዓዲ ካብ ዝኣተወሉ እዋናት ኣትሒዙ፡ እዚ ክፍለ-ሰራዊት'ዚ ኣብ ትግራይ ኣብ እተኻየዱ ውግኣት፡ ውሑድ ጊዜ እዩ ተሳቲፉ።

ተኽለጊዮርጊስ ንትግራይ ኣብ ዝወረረሉ፡ ብዘይካ ኣብ ክልተ ሚዛን እውን ዘይነበሮም ግጥማት፡ ብቑዕ ክበሃል ዝክኣል ተቓውሞ ኣይረኸበን። ብዓወት ን "በዐሳ" ብዝኣተወ

ድማ፡ ራእሲ-ባርያው ኣመሓዳሪ ናይቲ ዓድን- ከምኡ'ውን ምቕራብ ሰሚያም ናይ ሓልሓል መዕቆቢኦም ገዲፎም ናብኡ ዝመጹ ክልቲኦም ደቅ-ወለንኪእል ተጸምበርዎ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ካሳን-ሰዓብቱን፡ ብምዕራባዊ ክፍሊ-ዓድዋ ዓሪዶም ዝጥዕም ጊዜ እናተጸበዩ፡ ኣብ ስለያ እዮም ዝነብሩ። ተኽለጊዮርጊስ ናይ ምምላስ መንገዲ ብዝሓዘ እዩ'ውን ካሳ፡ እዋኑ ጥዑም ዝበለ። ኣብ ከባቢ-ዓድዋ "መጸሉ" ኣብ እተባህለ ቦታ ኣድብዩ ጸኒሑ ድማ ምስ ሰራዊቱ ብቆራጽነት ጉበጦም። ሰለስተ-ሰዓት ኣብ ዝወሰደ ኩናት፡ ተኽለጊዮርጊስ ተወጊኡ -ተሳዒሩ- ንሱን ዋግ-ሹም ብሩ እተባህለ ሓውን/ ራእሲ-ኣበራ እተባህለ ወዱን ተማረኹ። እዚ ውግእ'ዚ ብ 14 ሓምለ 1871 ዓ.ም. እዩ ተፈጺሙ። ክልቲኦም ደቅ-ወለንኪእል(መኰንን- መስፍን) እውን ከም ተሓባበርቲ ናይቲ ዓይኑ-ከዓውር እተፈርደ ተኽለጊዮርጊስ፡ ተማረኹ።

ኣብ ከባቢ-ዓድዋ እቲ ውግእ ይካየደሉ ኣብ ዝነበረ ጊዜ፡ ወለንኪእል ን ደጊያት-ወልደሱስ እተባህለ ሓላፊ ናይቲ ተኣሲርሉ ዝጸንሐ እምባ፡ ሓራ ክለቆን- ምስ ተኽለጊዮርጊስ ምስላፍ ከም ዝሕሾን ከእምኖ ክኣለ። ካብ ማእሰርቱ ተለቒቑ ድማ፡ ደቁ ክናዲ ቡቲ ዝፈልጦ መንገዲ ኣከለ-ጉዛይ ኣቢሉ ንሓማሴን ገጹ ኣምረሐ። ኣብ መንገዲ እንከሎ ግና፡ ደቁ ኣበይ ከም ዘለዉ ብዝተነግሮ፡ ንድሕሪት ተመሊሱ፡ ብትብዓት ኣብ ቅድም'ቲ እተዓወተ "ካሳ" ቀረበ። እዚ'ውን ምሕረት ዝቢሩ፡ ደቁ ኣረከቦ።

ምስክር-ልቦና ናይዚ ብእውነት ንጉሳዊ-ክብሪ ዝግብእ ወድ-ሰብ ግና፡ ኣብዚ ጥራሕ ኣይኮነን ዝውሰን። ካባና(ኢጣልያ)፡ ምናልባት'ውን ካብኡን ብዘይንቕሉ ምኽንያት ብስኒት ምንባር ዘይምኽኣልና፡ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ።

ምልክት ሕያውነቱ ንምርዳእ፡ ከመዝግበም ካብ ዝኽኣልኩ ተግባራት፡ እዚ ዝኸተል ዛንታ ምጥቃስ፡ እንታይነት ናይዚ ስዒቡ ንጉስ-ኢትዮጵያ እተባህለ "ካሳ" ምንጻር ኣኻሊ እዩ።

-ኣብ ኩናት "በዐሳ"፡ ራእሲ-ባርያው ሓደ-ዓይኑ ተሃሪሙ፡ ፈጺሙ ብሓንቲ-ዓይኒ እዩ ተሪፉ። ኰይኑ ግና ምስ ብዙሓት ተኸተልቱ ካብቲ ኩናት ከምልጥ ክኣለ።

ብድሕሪ-ዓወት ካሳ፡ ባርያው ብትብዓት ኣብ ቅድመኡ ቀሪቡ፡ ብቅንዕና ተጸራሪሑ ከም ዝነበረን- ኣንጻሩ እናተዋግአ ድማ ሓደ-ዓይኑ ከም ዝጥፈኣን ገለጸሉ። እንዞ፡ ጣዕሳኡ ትሑት-ዋጋ ዝነበሮ ጉዳይ ምዃኑ ተኣሚኑ፡ ካሳ በዓል-ፍቓድ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ መሳርዑ ክስለፍ'ሞ፡ እታ ዝተረፈት ዓይኑ ትኹን- ህይወቱ ብዓቢኡ ብእምነት ከወፍየሉ ድልዊ ምዃኑ ኣረጋገጸሉ። ካሳ፡ ሓቐኑ ተቐበሉ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ባርያው ኣማኒኡ ኰይኑ፡ ኣንጻር ናይቲ ብተመሳሳሊ ምሕረት እተገብረሉ ወለንኪእል ስዒቡ ኣብ ዝመጸ ግጥማት፡ ህይወቱ ኣብ ቅድሚት ሰሪዑ ተዋግአ።

ብድሕሪ-ዓወት "መጸሉ" ካሳ፡«ሃጸይ» ተባሂሉ ስልጣኑ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ንምር-ግጋጽ ተበገሰ። ህዝቢ-ትግራይ፡ ንዕብለላ ኣገው-ኣምሓራ ዝምክት ጅግና ካብ ክርሱ ምውላድ፡ ሓበን ተሰሚዕዎ፡ ብደስታ ተኸታሊኡ ኰነ።

ካሳ፡ ፈለግ-ተከዘ ሰጊሩ ኣብ ዳርጋ ውሽጢ ሓደ-ዓመት ኣንጻር ጋላ- ህዝብታት ላስታ ተዋጊኡ-ንዓድ ኣምሓራ ወሪሩ፡ ብ 21 ጥሪ 1872 ዓ.ም.ብስም *ሃጸይ- ዮሃንስ 4ይ፡* *«ንጉሰ-ነገስት ዘ-ኢትዮጵያ»* ዝብል መዓርግ ለበሰ።

1872 ዓ.ም.

ኣብዚ ስርሒታት'ዚ እንተኾነ፡ ምሳኡ ሓቢሮም ራእሲ-ባርያው በዓል በዓሳ/ ደጊያት-ወለንኪእል ምስ ደቁ (መኰንን-መስፍን)፡ ብጅግንነት ተቓሊሶም እዮም።

ብልሜ መንፍዓት- ትብዓት- እምነት- ግን፡ ብፍላይ ንባርያው ተፈሊጥሉ፡ ብፍቓድ ንጉስ-ዮሃንስ፡ ምምሕዳር ምሉእ-ትግራይ ተረከበ።

6ይ- ምዕራፍ

ሃጸይ-ዮሃንስ ኣብ ዓድ-ኣምሓራ ዘመተኡ የካይደሉ ኣብ ዝነበረ እዋናት፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ/ሰሜናዊ-ወገናት ናይቲ ግዝኣትን/፡ንታሪኽ-ኢትዮጵያ ክፍለ-ዘመናት ካብ

ዝጸንሐ ተነጽሎ ሓራ ኣውጺኣም፣ ደጊም ታሪኽ ናይዚ ሃገር'ዚ ኣብ ክሊ ጉዳያት-ጥቕምታትን ኤውሮጳ ንሓዋሩ ዝቖርኑ ፍጻሜታት ይኽዩዱ ነበሩ።

እንግሊዝ፣ ኣንጻር-ተድሮስ ዝፈጸምዎ ወራር፣ናይ ውልቆም "ሞራላዊ-ጥቕሚ" ዘማልእ ጉዳይ እዩ ዝነበረ።

ንትረ-ጠባይ/ ጭካነን- ሃጸይ ተድሮስ ኣዐጊሶም፣ ነዞም ናብ "ባርባርነት" እተመልሱ ህዝብታት፣ መንነት-እንግሊዝ ዝደፈረ፣ ከይተቐጽዐ ከም ዘይዓርፍ ኣረዲኦም፣ ኣብዚ ቦታ'ዚ ግዝኣት ምድልዳል ከም ዘየዋጽጽእን- ጥቕሚ እውን ከም ዘይርከቦን፣ ተገን-ዚቦም ወጹ።

ሰራዊቶም ብዝሰሓቡ፣ ነቲ ሃገር ከም ዝጸንሑዎ፣ ኣብ ፋሉልነቱ እዮም ራሕሪሖምዎ።

ስለዚ ድማ፣ «ሓድሽ መዋእል ታሪኽ-ኢትዮጵያ» ዝበሃል፣ በዚ ብ "ብሪጣንያ" እተፈጸመ ወራር ኣይኮነን ዝጅምር።

ብእምነተይ(ደራሲ)፣ እዚ መዋእል'ዚ ዝኽፈተሉ እዋን፣ ዮሃንስ ብዝብሮ ተውህቦ-ልቦና-ሓይሊ-ንጉሳዊ ኣኽሊል ደፊኡ ን "ጥንታዊ ንግስነት-ኢትዮጵያ" ኣብ ውሽጢ ታሪኻዊ-ዶባቱ፣ ብድልዱል ሰረት ከም ዳግመ-ሃኒጹ፣ ነጻ ርክብ-ዝምድናን ምስ ዝማዕበሉ ህዝብታት-ዓለም ንምትግባር፣ገማግም-ባሕሪ ምውሓስ ከም ዝግባእ ዝብል ስፉሕ-ውጥን ምስ ተረድአ እዩ ታሪኽ ናይዚ ዝምልከተና ሃገር፣ ሓድሽ ምዕራፉ ሒዙ።

ብመሰረት'ዚ ልኡል ኣተሓሳስባ እዩ ድማ ደጊም እዚ ሃገር'ዚ እንተ ብቐጥታ- እንተ ብተዛዋዋሪ፣ ምስ ጥቕምታት ግብጺ ኮነ-ጥቕሚ ኤውሮጳውያን፣ ኣብ ዘይዕረቕ-ግርጭት ጸሚዱ፣ ኣብ ፖሊቲካዊ-ዓንኬል ሃገራት ኤውሮጳ ተቐሪኑ'ውን፣ ምልቓቕ ዘይተኻእሎ።

ዮሃንስ ሃጸይ ተባሂሉ ዘውዲ ይደፍኣሉ ኣብ ዝነበረ እዋናት፣ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኮነ፣ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ብዝያዳ ዘገድስና መረብ/ምላሽ እተኻየዱ ፍጻሜታት ንምብራህ፣ ንሱ «ሃጸይ» ተባሂሉ ዘውዲ ይደፍኣሉ ኣብ ዝነበረ እዋናት፣ ኣብ ሞንን ግብጺ-ዓድ ሓበሻን ዝነበሩ ዝምድናታት ብሓጺሩ ምግላጽ ኣድላይ ክኸውን እዩ[8]።

ኣዕራብ ኮኑ ቱርኪ፣ ዓድ-ሓበሻ ንምግዛእ ብዙሕ ፈተነታት ኣካይዶም ከብቅዑ፣ ኣብ ዕላማኦም ከም ዘይተዓወቱ፣ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

ብድሮ፣ ብቕድሚ 16 ክፍለ-ዘመን፣ ቱርኪ ኣቐዲሞም "ወደብ-ዙላ" ኣስዒቦም ድማ "ወደባት ባጽዕ- ስዋኪን" ወሪሮም'ኳ እንተጸንሑ፣ እቲ ንከበሳታት ዓድ-ሓበሻ ዘምርሕ መደያይቦ፣ ክብሕትዎ ኣይከኣሉን። ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ሞንን ባጽዕ-ስዋኪን ዘሎ ናይ ገማግም ዞባታት፣ ብምሉኡ ኣይተቖጻጸርዎን።

ኣብ ሞንን 1821-1822 ዓ.ም. ኣብ ዘሎ እዋን፣ "እስማዒል-ፓሻ" እተባህለ ሳልሳይ ውላዱ ን" መሓመድ-ዓሊ "(ንቲ ኣብ ህልዊ-እዋን ኣብ ስልጣን ዝርከብ ግብጻዊ-ስርወ ዝመስረተ እዩ። ዕድል ንምንዳይ ዝኾብለለ ወታሃደር'ዚ፣ "ካቫላ" ኣብ እተባህለ ቦታ ዝውለደ ወድ-ኣልባንያ እዩ።) ናይቲ እዋን'ቲ ገዛኢ "ከዲቨ"፣ ግዙፍ-ሰራዊት ኣኸቲቱ ን "ታሕተዋይ-ኑብያ" ወሪሩ፣ ናይ ፈተሻ ኩለላኡ ክሳብ ደንደስ ከበሳ-ኢትዮጵያ ኣብጺሑ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ሓበሻ- ግብጽን- ኣብ ሞንን ከሰላ-ጋላባት ኣብ ዝርከብ ቦታ ተጋጠሙ። ሓበሻ በብቐሩብ ናብ ከበሳኦም ተደፍኡ። ከምዚ'ሎም ድማ ብኩሉ ወገናት ብቱርኪ/ግብጺ/ቀቢላታት ጋላ/ ተኸቢቦም ተረፉ።

ኣብ ሞንን 1830-1840 ዓ.ም. ኣብ ዘሎ እዋን፣ ግብጻውያን ኣብ "ጋሽ" ዓሪዶም፣ ዕርዲ-ከሰላ ሃኒጾም ንህዝብታት ሓለንጋ/ ዓልገደን/ ሰብደራት/ ብንዓምር(ግእዛዊ ወይ ኢትዮጵያዊ መበቆል ዘለዎም ህዝብታት) መሊኾም፣ ኣብ ሞንን'ዚ ሓድሽ ግዝኣቶምን እቲ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ ዝነበረ ጥንታዊ ዋንነት ቱርክን ዝነብሩ ህዝብታት[9]፣ ብዙሓት

[8]- ብናትና(ናይ ኢጣልያ) ናይ እዝን-ቍጽጽርን ሓላፊ ካብ እንግሊዘኛ እተተርጎመ «ሓበረታ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ሱዳን- ቀይሕ ባሕሪ- ኢኳቶር- ዝርከቡ ወረዳታት ግብጺ» ዝብል ጽሑፍ እተረኽቡ ሓበሬታ።
[9]- ስለዚ፣ እቲ ንባጽዕ ዘምርሕ መንገዲ ምቍጽጻር እዩ እቲ ዝነበረ መደብ። ሰዓብቲ ምስልምና ብብዝሒ ምጥርናፍ ዝነበረ ዕላማ ድማ፣ ኣብቶም ኣብ ሃይማኖት-ክርስትና ሰሚሮም ኣብ

ሰዓብቲ ምስልምና ክውድቡ ጸኒሖም። እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ክሳብ'ቲ "እስማዒል-ፓሻ" ኣብ 1865-1866 ዓ.ም. ኣብ መሬት-ሱዳን መንገዲ ባቡር ናይ ምህናጽ ዝወጠኖ መደብ ብተወሳኺ'ውን እቲ መስመር ካብ ከሰላ ንባጽዕ ምዝርጋሑ ኣብ ዝሓሰበሉ፡ ስለዚ'ውን ብ "ዓድታት-ቦጎስ" ምሕላፍ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉን፡ ከምኡይሉ እዩ ጸኒሑ።

መንግስቲ-ግብጺ፡ እዚ ዞባ'ዚ እውን ኣብ ውጥን-ወራራት "መሓመድ-ዓሊ" ክጽምበር እዩ ድልዩቱ ዝነበረ። ኰይኑ ግና፡ ካብ ዝነበሮ መደባት ርሒቑ፡ ኣብ ስእሊ ጥራሕ እዩ ነዚ መሬት'ዚ ዝሓዞ። ምኽንያቱ ሓበሻ ብወገኖም ኣብቲ መሬት ዝነበሮም መሰላት ንምርግጋጽ፡ ወትሩ እዮም ተቓሊሶም። ወረ'ውን ኣብ እዋናት ናይቲ ቅድሚ እስማዒል ዝነበረ "ሰዒድ-ፓሻ" እተባህለ ኣመሓዳሪ፡ እቲ ዶባት ተለቒቑ እቶም ንሓለዋ/ ናይ ዶብ-ጸጥታን/ ንምርግጋጽ እተላእኩ ሰራዊት ተሳሒቦም "ወረዳ-ቦጎስ" ንብዙሕ ዓመታት ሻራ ዘይነበሮ መሬት፡ ወይ ድማ ከምቲ ኣብ ሕሉፍ-ታሪኹ «ባዕለ-ምሕዳር» እዩ ዝነበረ።

እዚ ብህዝብታት "ግእዝ ምድረ-ባሕሪ" ተኸቢቡ እተነጸለ፡ ኣገው ዝመበቆሉ ህዝቢ፡ ኣብቲ ብሉጽ እዋናት ናይ ዝነበረ "ሰሎሞናዊ-ንግስነት"፡ ከምቲ ናይ ኢትዮጵያ ማሕበረ-ፖሊቲካዊ ኣቃውማ፡ ቀጥታ በቲ "ሃጸይ" እዩ ዝመሓደር ዝነበረ። በብዓመቱ እውን ህዝቢ-ቦጎስ ወካሊኡ ንጕንደር እናለኣኸ 60 ላሕሚ ህያቡ እናኣበርከተ እዩ ጸኒሑ። ብዘይካ'ዚ'ውን፡ ሃጸያት በብዝሞትሉ፡ ህዝቢ-ቦጎስ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሞት ኣዝማዶም፡ ጸጕሪ-ርእሶም ይላጽዩ ነበሩ።

ህዝቢ-ቦጎስ ብጕረባብቱ ዝፍራሕ ሓያል ህዝቢ እዩ ነይሩ። ግዝእ-ርእሱ ዘመሓድረሉ ናይ ባዕሉ ስርዓተ-ሕጊ ዝኾነ "ልኡላዊ-ስርዓት" እውን ነይርዎ እዩ። እቶም ሃጸያት ብወገኖም፡ ብዛዕባ'ቲ ህዝቢ-ቦጎስ ክበርክቶ ዝጸንሐ ውሑድ-ፍንውን ግብረ-መንግስቲ፡ ሕጉሳት እዮም ዝነበሩ።

ህዝብታት-ቦጎስ- ተዓቂ፡ ብቴርኪ/ ግብጽን (ብፍላይ ድማ በዞም ዱሕረዎት ብድሕር ፍጻሜ "ወራር ታሕተዋይ-ኑብያ") ነጻነቶም ብዝተንኸአ፡ ምስቶም ተመሳሳሊ ሃይማኖት ዝነበሮም ኣብ ሓማሴን ዝርከቡ ክርስትያን ኣሕዋቶም ተቐራሪቦም፡ጸግዐ-ዑቕባ «እንዳ-ጸዓዚጋ» ሓቲቶም-ተፈቒዱሎምን ኑቲ ኣብ ሞንጎኦም ብፍንው መልክዕ ዝጸንሐ ኣኽብሮት፡ ግዳማዊ-መልክዕ ኣብ ዝሓዘ ተማእዛዝነት ለወጥዎ[10]።

ክብዚታት ዝነብሩ ቀቢላታት ኣድሃበ። ከምዚ'ሎም ቤት-ቢደል/ ማርያ/ ኣብ መወዳእታ'ውን ተዓቂ፡ ኣብ ሃይማኖት-ምስልምና ኣመኑ። ቴርኪ ብ "ናይባት" ኣቢሎም ኣብ
ባጽዕ ዝነበረ ግዝኣቶም ዋሕስ ብዝረኸብሉ፡ ምምሕዳር-ሰምሃር ጥቓ "ዓንሰባ" ተቓረበ።
"ቨርነር ሙዚንገር" -«ብዛዕባ ባህሊ- ሕግን ህዝብታት ቦጎስ»

[10]- ብ 1852 ዓ.ም. ህዝብታት ዓልገደን- ባርያ(ኣቐዲሞም ካብ ክበሳታት ብእተበገሱ ሰብ-ብረት ተወሪሮም ብምጽናሖም) ብግደኦም 300 ሰባት ኣኸቲቶም፡ ንቦጎስ ወረርዎም። ዝነበረ ፍርሕን-ሕንፍሽፍሽን ግና ንወዮም 300፡ 3000 ኣምሲሉ ኣቕረቦም። ተቐማጣይ ህዝቢ ብህድማ ኣምሊጡ፡ መጋርሕ- ከረን ብሓዊ-ተቓጺሉ። ዘረፍቲ ሰይፎም ከይመዘዙ፡ እዚ ዘይብሃል ንብረት ዘረፉ። ማእለያ ዘይብሎም ከብቲ ተዘሚቶም፡ ቈልዓ-ሰበይቲ እውን ከይተረፉ ከም ጊላታት ተማረኹ።
ብ ወርሒ ጥሪ 1854 ዓ.ም. ኣሎ እተባህለ ጎበዝ ካብ ህዝብታት ባርያ-ባዛ ክሳብ ጋሽ ተኣኻኺቦም ዓሊ-ኣጋ ብእተባህለ ዚጋ ተመሪሖም- ብርክት ብዝበለ ቍጽሪ ሰራዊት-ግብጺ እውን ተጓዚቦምን፡ እንደገና ን "ህዝቢ-ቦጎስ" ሓደጋ ወደቕዎም። ከረን- ሓሽላ- ዖና- ናይ ከባቢ-ቁሸታትን፡ሓዊ-ነደዱ። ኣማእታት ቈልዓ-ሰበይቲ/ሚእቲ ዝኾኑ ከብትን እውን ተዘምቲ። ዝገጠሞም ተቓውሞ ድኹም ሳላ ዝነበረ ግና፡ ውሑዳት ሰባት እዮም ተቐቲሎም።
ሳዕቤኑ፡ እቲ ዓዲ ኣብ ስምባደ-ድኽነትን ወደቐ። ዝተረፈ ህዝቢ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ምርኢት ከይድገም ፈሪሑ፡ ሰብ ኣብ ዘይነብሮም ኣጻድፍ-እምባታትን ተዓቑበ። ኰይኑ ድማ ሓደ-ክፋል ንጎድ-ሓበሻ ተሰዲዱ እንክሳማም፡ ዝተረፈ፡ ሰላምን-ዕርቅን ከናዲ ንግለት፡ ወኪላቱ ን "ከሰላ" ልኢኹ፡ ግብሪ ክግብርን- ኣብ ሃይማኖት ምስልምና ክኣምንን ተመባጽዐ።
ጥንታዊ ናይ «ቦጎስ-ረፑብሊክ» ካምዚ'ሉ ብዝዓነወ፡ ተመሊሱ ዝትንስእ'ኳ ኣይመስልን ዝነበረ። እቲ ዘመታ እተፈጸመሉ ረፍዲ፡ "ጆቫኒ-ስተላ" እተባህለ ካህን(ስርዓት-ላዛሪስቲ ዝኾነ ኣማኒ)፡ ኣብቲ ገና ረመጹ ዘይጠፍአ "ከተማ-ከረን" ናብ ህዝቢ-መንሳዕ መጸ። ብዝኸእሎ ከጸናንዕን-ከተባብዕን ፈተነ'ሞ፡ ኣይከኣለሉን ግና። ስለዚ ን "ከሰላ" ገጹ መንገዲ ኣምረሐ። ኣብዚ ብዝበጽሖ ድማ፡ ብሓገዝ "ዎልተር-ፕሎውደን" እተባህለ ቆንስላ-እንግሊዝ፡ ካብ 300

ኣብ መጀመርያ 1868 ዓ.ም. ወራር-እንግሊዝ ኣብ ዓድ-ሓበሻ እተፈጸመሉ እዋናት፣ ናይ ግብጺ ከዲቭ ነቲ ኣብ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ዝነበሮ ዋንነት ዋሕስ ክተኽለሉን/ ንመጻኢ ዝመደቦ ወራራት ንምዕዋት፣ ሓገዝ ብሪጣንያ ንምኽሳብን፣ ብዝከኣሎ ኣብቲ ብእንግሊዛውያን እተመደበ ወፍሪ ንምስታፍ፣ ወፈያ ሓገዙ ኣቕረቡ እዩ። ክሳብ'ውን ሰራዊት-ግብጺ ብሰራዊት እንግሊዝ ክእዘዙ ዝብል ድልውነቱ ገሊጹ ከብቅዕ፣ ተቐባልነት ግና ኣይረኸበን። ብድሕር'ዚ እንደገና፣ መሬት ከሰላ-ጋላ'ባት ከም መንቀሊ መደበር ናይቲ ወታሃደራዊ-ውጥን ናይ ምኽኣን ተኽእሎ እውን ተዘርበሉ። እዚ'ውን ብወገኑ ነቲ ኣብ ሞንን ግብጺ-ዓድ ሓበሻን ዝጸንሐ ዝምድና፣ ብእሉታ ጸለዎ።

ተወላድ-ስዊዘርላንድ (ስዊስ) ዝኾነ "ቨርነር-ሙዚንገር": ብ እዋናት-ሓጋይ 1874 ዓ.ም. ናይ እንግሊዝ ኩነ ፈረንሳ- ቆንስላ (ምስለኔ) ተባሂሉ፣ ኣብ ባጽዕ እዩ ምቕማጡ ዝነበረ።

መንግስቲ-ግብጺ፣ ነቲ ኣብ ሞንጎ ሃጸይ-ዮሃንስ/ ቀቢላታት ጋላን/ እተላዕለ ኩናት ክጥቀመሉ (ክምዝምዞ) ብምሕሳብ፣ ን "ሙዚንገር" ነታ ርእሰ-ከተማ ህዝቢ-ቦጎስ ዝኾነት ከተማ-ከረን ንምውራር፣ 1500 ዝግመቱ ወታሃደራት ኣወፈየሉ። እቲ መደብ ድማ፣ ኣብ ግብሪ ወዓለ። ካብዚ ሓሊፉ፣ ሙዚንገር፣ መሬት-ሓይለት እውን ወረረ። ኣብዚ ግና፣ መራሒ ናይቲ ዞባ እዩ ንውልቃዊ-ረብሓኡ፣ መሬት ንወርቂ ለዊጥዎ። ን ከዲቭ።

ሃጸይ-ዮሃንስ፣ እዚ ወራር'ዚ ንምቅዋም፣ "ኮሎኔል-ኪርክማን" ብእተባህለ ተወላድ-ስኮትላንድ እቢሉ፣ኣቤቱታኡ ንሃገራት-ኤውሮጳ ብፍላይ ድማ ን ዓድ-እንግሊዝ ኣቕረበ። -(ኮሎኔል-ኪርክማን፣ ኣብቲ ዝቕደመ እዋናት፣ ምስ ጎርዶን ሓቢሩ ኣብ ሃገር-ቺና እዩ ወፊሩ ነይሩ። ኣብቲ ዝሰዓበ ድማ፣ ንሃጸይ-ዮሃንስ እዩ ከገልግል ጸኒሑ)-

እተባህለ ናይ ኣቤቱታ-ልኡኽ ግን፣ ግብራዊ-ውጽኢት ስለ ዘይሰኣና፣ ኣብ ሞንጎ ግብጺ/ዓድ ሓበሻን ዝነበረ ዝምድና፣ ተሰሓሒሑ። ኣብቲ ዓመት እቲ ኣሚር-ኣሕመድ እተባህለ ናይ ሃራር-ሱልጣን ስለ ዝሞተ፣ እቲ ህዝቢ ኣብ ክንዳኡ ከዲፋ ቺትራ ኣሚር ንእተባህለ ውላዱ ከመሓድሮ መረጸ። ንግስነቱ ግን ንሰለስተ-መዓልቲ እዩ ኣገልጊሉ። ንቀቢላታት-ጋላ ቀዳምነት ሂቡ -ተማእዚዙ፣ ጸቒጡ -ኣንጻር ምስልምና እተላዕለ "መሓመድ" እተባህለ ዜጋ እዩ'ውን ነቲ ዕልዋ-መንግስቲ ፈጺሙ ዝነበረ። ህዝቢ-ሃራር ናብ ዝነበረ "ከዲቭ" ጥርዓን ስለ ዘቕረበ፣ መንግስቲ-ግብጺ ስርዓት ንምምላስ፣ ራውፍ-ፓሻ ንእተባህለ ልኡኹ ለኣኸ። እኹል ክበሃል ዝከኣል ተቓውሞ ከይገጠሞ ድማ፣ ዕላማኡ ኣብ መፈጸምታ ኣብጽሐ።

"እስማዒል-ፓሻ"፣ ኣብ መጀመርያ እዋናት 1874 ዓ.ም. ነቲ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ግዝኣቱ ንምድልዳልን- መንግስቲ ግብጺ ነቲ ብዘመነ ንግስነታት ዓባስ-ፓሻ/ ሰዒድ-ፓሻ ብዓቢኡ ድማ ኣብቲ 11 ዓመት ዝጸንሐ ግዝኣቱ፣ ንባዕሉ እስማዒል-ፓሻ፣ ኣብ ማእከላይ ዞባ-ኣፍሪቃ ዝወረሮ ሰፊሕቲ መሬት ስርዓት ንምትእትታው ዝነበሮ መደብ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ፣ ነቲ ኣብ ሃገር-ቻይና ኣንጻር "ታይ-ፒንግ" ተዋጊኡ ዓቢ ዝና ዘትረፈ እንግሊዛዊ "ኮሎኔል-ጎርዶን"፣ ናባኡ ጸውዖ።

እቲ መደብ "ብደቀ'ባት ክማላእ ኣይከኣልን" ካብ ዝብል ናይ ግብጺ እተሓሳሰበ እዩ ነቒሉ። ዕላማኡ ድማ፣ ነቲ ኣብ ላዕለዋይ-ኒል እተገብረ መጽናዕታት ምቕጻልን- ሓያል መንግስቲ ተሃኒጹ፣ ንግድ-ባርነት ምስራዝን፣ ዝኣመሰሉ ውጥናት ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ።

ብ 21 የካቲት ናይ እተጠቕሰ ዓ.ም.፣ ጎርዶን፣ ናብ ዓውዲ ናይቲ መዋስኢ ክኸውን እተመርጸ ቦታ ተበገሰ። ብሕሉፍ ተመኩሮኡ ድማ፣ ግብጺ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ነቲ ኣብ

ንላዕሊ ዝግመቱ ተጨውዮም እተሸጡ ቈልዓ-ሰበይቲ ንሃገሮም ከመልሰ ከኣለ። ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ድማ፣ እዚ ብክርስትያን እተሃዘበ-መሬት ክይተደፍረ፣ ህዝቢ ቦጎስ- ክባቢኡን ብዘይምቍራጽ ኣብ ሰላም እዩ ነቢሩ። -ቨርነር ሙዚንገር-

ኣብዚ ብ ቨርነር-ሙዚንገር እተዳለወ-ጽሑፍቲ «...እቲ ሰላም፣ ብድሕር-ምፍራም «ውዕል-ሓውት» ወረዳ-ሰንሒት ንዓድ-ሓበሻ ይብጻሓዮ ምስ ተባህለ፣ ብራእሲ-ኣሉላ እዩ ተደፊሩ..» ዝኣመሰለ ሓበሬታ እውን ይርከብ። ኣሉላ፣ ንሕሰያ ብዘይብሉ ኣገባብ እዩ ንሰንሒት ራስዩዎ። ብዘይካ በዚ ናይ ራስያ ተግባራት ድማ፣ ነዚ ሓድሽ-መንግስቲ ዘየኽብሩ ሰናይ-ግብሪ እይጥቀሱን፣ ኣይተፈጸሙን ድማ።

ኢኳቶር(ቅናት-መሬት) ዝርከብ ግዝኣታቱ ክቶጻጸር እንተድኣ ኰይኑ፣ ናብ ገማግም-ዛንዚባር ዘምርሕ መሳልል ምኽፋት ግድነት ከም ዝኾነ ኣብ ዝብል ጽኑዕ እምነት ሰመረ።

ብርእይቶኡ፣ እቲ ፈለግ-ኒል ዝሕዞ ጉዕዞ ምኽታል ዝብል መደብ፣ ብሰንኪ ህጉም-ኣጻድፍ ናይቲ ፈለግን/"ሱድ" እተባህለ ጉንድታትን/ ሳዕረ-ማዕረ ስፈፍቲ ብዘኸትልዎ ማሕለኻ/ ዋሕዲ ንህንጻ ዘገልግሉ ዕንጸይቲ/ ዝኣመሰሉ ዕንቅፋት፣ ግብራዊ-ውጽኢት ኣይምተረኸበን። እዚ ንምብራህ እዩ'ውን ኣብቲ ካብ "ላዶ" እተባህለ ቦታ ዝለኣኸ ደብዳበ፥ «...እቲ ብመጠኑ ኣገዳሲ ክበሃል ዝከኣል ክፍለ-ወገን ናይዚ ዓድ'ዚ፣ ኣብ ከበሳታት-ምተሳ(ኡጋንዳ) ኰይኑ፣ እቲ ካብ ላዶ ኩነ ካብ ካርቱም ንደቡብ ዝርከብ ወገን፣ ጨፈቓ-ደልሃመትን ዝበዝሖ እዩ....» ዝኣመሰለ ሓበረታ ዝርከቦ።

ሳዕቤን ናይዚ እዩ'ውን "ጎርዶን" ብጥሪ 1875 ዓ.ም. ንቲ "ክዲቨ"፣ ኣብ ገማግም-ሞምባዛ ማለት ኣስታት 400 ኪ.ሜ. ብሰሜን "ዛንዚባር" መደበር ናይ ምቛም ኣድላይነትን/ ብዘይካ'ዚ'ውን፣ ገማግም "ፎርሞዛ" ምውራር ከም ዝግባእን፣ ዝብል ሓሳብ ኣቕሪብሉ።

ናይ ግብጺ-ክዲቨ ብወገኑ፣ ምንጭታት ፈለግ-ጅዩባ ከም መራኸብን-መዋፈርን መስመራት ምስ'ቶም ኣብ "ኢኳቶር" ዝርከቡ ግዝኣታት-ግብጺ ክኸውን ዝብል ሓሳብ ኣንቂሉ፣ "ተልእኾ ንፈለግ-ጅዩባ" እተባህለ ናይ ድህሰሳ ጉጅለ ለኣኸ።

እቲ ኣብ ምንጭታት "ፈለግ-ጅዩባ" እተመደበ መልሕቕ ግን፣ ኣጺጋሚ ኰይኑ ስለ እተረኸበ፣ እቲ ልኡኽ፣ ኣብ ሞንጎ ዱርንፎርድ-ኪሲማዮ ኣብ ዝርከብ ቦታ ማለት ኣዝዩ ንደቡብ-ገጹ ክደፍእ ተገደደ። ከምዚ'ሉ ኣብ ውሽጢ መሬት"ሱልጣን-ዛንዚባር" እትዩ ኣብ መደብ ዘይነበሩ ጥቕምታት ስለ ዝነኸአ፣ እቲ ውጥን ክይተዓወተ ደው ክም ዝብል ኰነ።

"ብሪጣንያ" እዩ'ውን ክሳሲ ኰይኑ ቀሪቡ ንዚ ናይ «ጅዩባ-ድህሰሳ» ዝብል መደብ፣ ደው ክብሎ ክኢሉ ። ማዕረ-ማዕረ ምስ'ዚ ግን፣ መንግስቲ-ብሪጣንያ ብሰላሕታዊ ስምምዕ፣ ንቲ ግብጺ ኣብ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ክሳብ -10° Lat. Nord- = 10° North Latitude- ሒዝዎ ዝጸንሖ ምምሕዳር፣ ኣጽደቖን-ተቐበሎን እውን።

ብ 1875 ዓ.ም. ብልክዑ'ውን ኣብ እዋናት ጽድያ፣ ናይ ግብጺ-ክዲቨ «ወደብ-ዘይላ» ካብ ሱልጣን ናይቲ ዞባ ብወርቂ ክገዝእ ክኣለ። ኣብ ሕሉፍ እዋናት፣ እዚ ንቑጣ'ዚ እዩ ናይቲ ዓወት ዘይረኸበ ብዓረብ-ቱርኪ፣ ዓድ-ሓበሻ ንምውራር እተኻየዱ ፈተነ፣ መንቀሊ-መደበር ዝነበረ። ናይ ግብጺ-ክዲቨ ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ኩሉ'ቲ ካብ ክባቢታት "ታጅዩራ" እትሒዙ ን "በርበራ" ሓሊፍካ ዝርከብ ገማግም ህንዳዊ-ውቅያኖስ ዘጠቓልል ዞባታት እውን፣ናይ "ተጸዋዒ-መሰል" ከም ዝህልዎ፣ በቲ ሱልጣን ክረጋግጽ ክኢሉ እዩ ጸኒሑ።

እስማዒል-ፓሻ፣ ንቲ ብሓይልታት ኤውሮጳ ብሓፈሻኡ፣ ብፍላይ ግና ንቲ ብእንግሊዝ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ብሰላሕታዊ ስምምዕ እተፈልጠሉ ዋንነት ተጠቒሙ፣ ዋላ እውን ንቲ ዓድ-ሓበሻ "ወደብ" ናይ ምህላው-መሰል ዝቐርቦ ዝነበረ ጠለባት ነጸጎን-ተቓዋማይ ኰይኑ ቀረበን።

እንግሊዝ፣ ንቲ ብመትረብ-ስወጽ ሓሊፉ- ብቀይሕ ባሕሪ ኣቢሉ ናብ ሃገር-ህንዲ ዘምርሕ መንገድታት ምዕቃብን-ምቍጽጻርን ንዝብል ውልቃዊ-መደቡ ውሕስነት ክገብረሉ ንማለት፣ ኣብቲ ገማግም ኣንጻር "ንምናልባት" ኤውሮጳዊ-ወራራት፣ ዕርድ-ታት ምትካል እዩ ዕላማኡ ዝነበረ። ንዝወጠኖ ናይ ንግዲ-ምዝመዛ ሸፋን ንምግባር ድማ፣ መንፈሳዊ-ስምዒት ብዘተሓወሶ ኣገባብ፣ ንለውጢ ናይቲ ሰላሕታዊ ፍቓዶም፣ መንግስቲ-ግብጺ ምሳኣም ብዛዕባ ምውጋድ ንግድ-ባርነት ዝምልከት ውዕል ምፍራም ግዴታ ከም ዝኾነ ብዝብል ኣምሳል ኰሒሎም ኣጽደቕዎ።

7ይ- ምዕራፍ

ብመሰረት ናይዚ መንግስቲ-ግብጺ ኣብ ጐላጕል-ሓይለት/ ኣብ ሰንሒት/ ኣብ ሱዳን/ ብተወሳኺ'ውን ብግሉጽ ይኹን ብሰላሕታ፣ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃዊ-ገማግም ቀይሕ ባሕሪ/ እተፈልጠሉ ዋንነት እምበኣርከስ፡ ዓድ-ሓበሻ ብግብሪ፡ ኣብ ናይ ግብጺ ከበባ እዩ ዝነበረ ምባል፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮውንን።

ከምቲ ድሮ እተገንዘብናዮ ድማ፡ ውጽኢት ድኣ ኣይረኸበን እምበር፡ ሃጸይ-ዮሃንስ ነዚ ተገንዚቡ፡ ካብ 1874 ዓ.ም. ኣትሒዙ፡ ናብ ሃገራት ኢውሮጳ ጥርዓኑ ኣቕሪቡ እዩ።

ስለዚ ኣብቲ ስዒቡ ዝመጸ እዋናት፡ ኣብ ሞንጎ ግብጽን-ዓድ ሓበሻን ዝጸንሐ ምፍሕፋሕ እናበኣሰ ከይዱ፡ ነፍስ-ወከፍ ወገን ንኲናት ተዳለወ።

ከም ግብረ-መልሲ ናይቲ ብግብጺ እተገብረ ዝረፋ፡ ሃጸይ-ዮሃንስ «ጊንዳዕ» እተባህለ ሓድሽ ወረዳ ኣቖመ። ስፍሓት ናይዚ ወረዳ'ዚ፡ ካብ ሰሜናዊ ጸንፊ ገማግም ወደብ-ዙላ/ ከሳብ ወደብ ሓንፊላ-መሬት ሳሆን/ ብደቡብ ድማ ክሳብ ሓይለት ዝርከብ መሬት ጊንዳዕ፡ እዩ ዘጠቓልል ነይሩ። እቲ መደብ፡ ንዓድ-ሓበሻ ወደባት ምውሓስ እዩ ዝነበረ ዕላማኡ። "ኪርክማን" ንእተባህለ ኣመሓዳሪ መሪጹ ድማ፡ ነዚ ሓድሽ-ወረዳ'ዚ ከም ብሕታዊ-ጉልቲ ንምሉእ ህይወቱ ኣወፈዮሉ። ኪርክማን ብወገኑ፡ ኣብ ጊንዳዕ ዋና-መደበሩ ኣቐሚሙ ናይ እተባህለ ጉልቲ ሰንደቕ-ዕላማ ከኸውን፡ ባንዴራ-እንግሊዝ ኣንበልበለሉ።

መንግስቲ-ግብጺ፡ ካብቲ ድሮ ዝሒዞ ዝጸንሐ "ወደብ-ዘይላ" ኣረንድሩፕ ብእተባህለ ዕሉብ ተወላድ-ደንማርክ(ዳኒማርካ) ዝምራሕ ጭፍራ-ሰራዊት ንባጽዕ ለኣኸ። ኣረንድሩፕ፡ ብወርሒ ጥቅምቲ ንባጽዕ ኣተወ። ሰራዊቱ ኣኸቲሉ ድማ ብቐሊሉ ንጊንዳዕ ኣምራሑ፡ ክቆጻጸር ከኣለ። መግለጺ ብዘይርከቦ ኣገባብ ግና፡ ጉዕዞኡ ቀጺሉ ናብታ ኣብቲ እዋን'ቲ ርእሰ-ከተማ ዓድ-ሓበሻ እትበሃል ዓድዋ ገጹ ደየበ። ንጉስ-ዮሃንስ ብቐሊሉ ካብቶም ናይ ኣረንድሩፕ ዝበዝሑ ሰራዊት ወዲቡ፡ ኣንጻር ግብጻውያን ከተተ።

ብ 17 ሕዳር 1875 ዓ.ም. ኣብ ከባቢ-መረብ "ጉዳ-ጉዲ" ኣብ እተባህለ ቦታ፡ ሰራዊት-ግብጺ ሃንደበት ተጠቂዑ ብምሉኡ ተደምሰሰ። ንባዕሉ ኣረንድሩፕ/ዚሊ እተባህለ ምሳኡ ሓቢሩ ዝጸንሐ ሓደ-መስፍን፡ 770 ዝኾኑ ወታሃደራትን ኣብኡ ተቐትሉ።

ኣብ ዝወዓለ ኲናት፡ ብወገን ሰራዊት ሃጸይ-ዮሃንስ "ደጊያት-ወለንኪኤል" እዩ ፍሉይ ኣድንቖት ኣመስኪሩ። ምእንት'ዚ'ውን ሃጸይ-ዮሃንስ ነቲ ኣሕዲርዎ ዝጸንሐ ዘይምትእምማን ወጊዱ፡ "ኣመሓዳሪ ሓማሴን" ክሳብ ምዃንውን-ቆሎ ብዝብል ሽመት ንሃገሩ መለሶ። ብዘይካ'ዚ፡ ዶብ ናይ ምክልኻልን/ናይቲ ብቕድሚኡ ዓመት ብግብጻውያን እተወረረ "ሰንሒት" ናይ ምምላስ ሓላፍነት እውን ተዋህቦ።

ዮሃንስ በዚ ስጉምቲ'ዚ ኣቢሉ፡ ምናልባት ኣብቲ ኣንጻር-ግብጺ ክእምቶ ዝጸንሐ ዓቢ ኲናት፡ ሓማሴን ጸግዑ ክኸውን እዩ ተስፋኡ ዝነበረ። ብሓቂ'ውን ዮሃንስ እቲ ዞባ በቶም ንሱ ብኣስገዳድ ዘንበሮም ሹም-ነጋሪት ተመሊኹ ክሕልፎ ዝጸንሐ ሓሳር-ስቅያትን ከዘንግዖ ኣይክእልን ዝነበረ።

በዚ ስጉምቲ'ዚ ኣቢሉ ግን፡ ንዝጸንሐ ምርሕሓቕ ንፍርቂ እዩ ፈቲሕዎ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ሰራዩ ዝቖመ ወታሃደራዊ-ምልኪ ትግራይ፡ ከምኡይሉ እዩ ቀጺሉ። እዚ ድማ ወረዳ ሰራዩ ከይጠልሞ ፈሪሑ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቱ ክጽንሖ ንማለትን- ከምኡ'ውን ሓለዋ መስመር-መረብ ክደልድልን እተወስደ ስጉምቲ እዩ ዝነበረ። ብዘይካ'ዚ፡ ሓደ-ሹም ነጋሪት ምስቶም ደቀ'ባት ሓቢሩ፡ ኣንጻሩ ከይለዓል ብምፍራሕ፡ ንሓድሕዶም መታን ክቆጻጸሩ ሰለስተ-ሹም ነጋሪት ኣንበረሉ። እዚኦም፡ ደጊያት-ማሩ/ ደጊያት-ገብረተኽለ/ ፊትወራሪ ወልደጊዮርጊስ/ እተባህሉ ሰብ-ትግራይ እዮም ዝነበሩ። ምስ ተኸተልቶም ድማ ኣብ "ዓድ-ሓረ" ጥቓ ዓድ-ሞንጎንቲ ዓረዱ።

እቲ ኣብ ኲናት «ጉዳ-ጉዲ» ንግብጻውያን ዝወረዶም ስዕረት ኣብ "ካይሮ" ብዝተሰምዐ ብኡ ንብኡ ዝያዳ ሓይሊ ዝሓዘ ካልእ ሰራዊት ተወደበ። ረጢብ-ፓሻ እተባህለ እዩ'ውን ሓላፍነት ናይቲ ክፍለ-ሰራዊት ተረኪቡ። ነዚ ሓይል'ዚ ንምድልዳል ድማ፡ ሓሰን-ፓሻ እተባህለ ወድ'ቲ ከዲቨን- ንግብጺ ከገልግሉ ዝጸንሑ ብዙሓት መኮንናት-ኣመሪካን፡ ንረጢብ-ፓሻ ከም መሰነይታ ተደረብዎ። እዚ ጠቕላሊ-

መሪሕነት፡ ኣብ መፋርቕ ወርሒ ታሕሳስ ባጽዕ ኣተወ። እቲ ናይ ወራር-ሰራዊት ግን፡ ኣብ መፋርቕ ናይቲ ስዒቡ ዝመጸ ወርሒ እዩ ወታሃደራዊ-ስራሓቱ ጀሚሩ። ብድሕር ሓያል-ጽንኩርን ጉዕዞ "ቀያሕ-ኾር" ኣብ እተባህለ ቦታ በጺሑ፡ በዚ ኣቢሉ'ውን ን ጉራዕ ኣተወ። ኣብ ከባቢ ጉራዕ ድማ ምስ ሰራዊት ሃጸይ-ዮሃንስ ገጢሙ፡ ብ 7 መጋቢት ተሳዒሩ ወጸ።

ካብቲ ኩናት ከምልጡ ዝኸኣሉ፡ ኣብ ከባብታት ቀያሕ-ኾር ዝርከብ ክሳድ ግብጸውያን ኣቐዲሞም ዝሃነጽዎ ዕርዲ ተዓቝቦም፡ ክልተ-መዓልቲ መመላእታ መጥቃዕታት ሓበሻ ክከላኸሉን-ክደፍኡን ክኣሉ። ብ 11 መጋቢት ግን ሃጸይ-ዮሃንስ ዓውደ-ኩናት ለቒቑ ብምስሓቡ፡ ናይ ሰላም-ውዕላት ምዝታይ ተኻእለ። ብ 19 ሚያዝያ ድማ ሰራዊት-ግብጺ ንባጽዕ ገጹ ናይ ምምላስ መንገዲ ሓዘ። ኣብዚ እተጠቕሰ ፍጻሜ ግና፡ ኣካይዳ ደጊያት ወለንኪኤል፡ ከምቲ ንጉሰ-ዮሃንስ እተተስፈዎ ኣይኮነን ዝነበረ።

ወለንኪኤል ብሓደ-ወገን፡ በቶም ካብ መግዛእቲ ትግራይሲ- መግዛእቲ ግብጺ ይሓይሽ ዝበሉ መብዛሕትኦም ደቅ-ዓዱ ተደፋፊኡ/ ብኻልእ ድማ፡ ምስ ግብጺ ተመሓዚኹ ዝዓበየ ስልጣን ምውሓስ ብዝብል ተስፋ ተመሪሑ፡ ኣብ ሓማሴን ብዝተመልሰ፡ ምስ መንግስቲ-ከዲቭ ጽቡቕ ዝምድና መስረቱ ዝኣክል ብረት ክሰንቕ ክኢሉ እዩ ጸኒሑ።

ንክበሳ ገጹ ዘምረሐ ጉዕዞ ሰራዊት-ግብጺ፡ ወለንኪኤል እዩ መሪሕዎ። ምሳኦም ሓቢሩ እውን ኣብ "ኩናት-ጉራዕ" ብትብዓት ተዋግአ። ብፍላይ ድማ መደበር ናይቲ ንጉስ ወሪሩ ብምዝማቱ፡ ዓቢ ኣድንቖት ኣትረፈ።

ናይ ሰላም-ውዕላት እናተኻየደን- ሓይሊ ግብጺ እውን ካብ ከበሳ ምስ ሰሓበን፡ ወለንኪኤል ንሰራዊት ሃጸይ-ዮሃንስ ከዋዕረፌ በብእዋኑ መኪቶም። ብግብጺ ድማ «ራእሲ» ዝብል ሽመት ተዋሂብዎ፡ ብሕቡእ እተፈላለየ ሓገዝ ይውፈየሉ ነበረ። ብዘይካ'ዚ፡ በቶም ሃጸይ-ዮሃንስ በብእዋኑ ኣንጻሩ ይልእኮም ዝነበረ ሰራዊት ኣብ እተ-ደፍኣሉ እዋናት፡ ኣብ «ቦጎስ- ከረን» ዝነበሩ ሰበ-ስልጣን ግብጺ፡ መዕቆቢ- ምውቕ እንግዶትን- ይገብርሉ ነይሮም እዮም።

ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ሃጸይ-ዮሃንስ፡ "ሻሊቃ-ኣሉላ" እዩ በቲ ኣንጻር ቦጎስ- መሬት ሓይለት- ብድፍረት የካይዶ ዝነበረ "ግብረ-ሽበራ" ስሙ እናተወረየ ክፍለጥ ጸኒሑ።

ሃጸይ-ዮሃንስ፡ በቲ ግብጺ ንወለንኪኤል ከወፍዮ ዝጸንሐ ሓገዛት ተቖጢዑ፡ ነቲ ዘበገሶ ውዕል-ሰላም ኣቋረጸ። ብ ሰነ 1876 ዓ.ም. ግና፡ ወከሊኡ ን "ካይሮ" ልኢኹ፡ ብዛዕባ ምውሳን ዶባት/ ኣብ ወደብ-ባጽዕ ንዓድ-ሓበሻ ፍሉይ ክንክን ከማበረሉን/ ን መተካእታ ናይቲ ዝሞተ ኣቡን ዓድ-ሓበሻ፡ ካልእ ኣቡን ክለኣኸሉ/ ዝኣመስሉ ጠለባት ብምቕራብ፡ እንደገና ናብቲ ናይ ሰላም-ዘተ ተመልሰ። እዚ ብንጉስ-ዮሃንስ እተላእከ ወኪል ብተወሳኺ፡ ግብጺ እንተድኣ ንራእሲ-ወለንኪኤል ኣስተሊሞም፡ ሓማሴን ከም ውህበት ክውፈየሎም ምኽኑ ዝኣመሰለ ሀያብ እውን ዘማልአ እዩ ነይሩ።

እቲ ወኪል ግና፡ ብእተፈላለዩ ምኽንያታት፡ ክሳብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ካይሮ ከም ዝጸንሐ ኩኑ። ሽዑ'ውን ብምትእትታው "ቆንስላ-እንግሊዝ" እዩ ተለቒቑ።

1877 ዓ.ም.

ብወርሒ የካቲት 1877 ዓ.ም.፡ ጎርዶን-ፓሻ ኣንጻሩ ብእተኣልሙ ውዲታት ካብ ሃገር ግብጺ ርሒቑ ጸኒሑ፡ ብፍሉይ ጸውዒት ናይቲ መንግስቲ፡ እንደገና ናብቲ ሃገር ተመልሰ። ብፍቓድ ከዲቭ እውን፡ ኣብ ኢኳቶር/ ቀይሕ-ባሕሪ/ ናይ ዝነበሩ ግዝኣት ግብጽን- ብተወሳኺ ድማ ናይ ምሉእ-ሱዳን ጠቕላሊ ኣመሓዳሪ ክኸውን ተመርጸ።

እቲ "ከዲቭ"፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ሓላፍነት ክረክቦ፥ ምውጋድ ንግድ-ባርነት/ ምምዕባል መራኸቢ መስመራት/ ከምኡ'ውን ምስ ሃጸይ-ዮሃንስ እተተኸለ ጽልኢ መፈጸምታ ክገበርን- ምስ ዓድ ሓበሻ ናይ ሰላም ውዕላት ምኽያድን/ ብዝኣመስሉ መደባት እዩ ንጎርዶን ኣእሚኑ ናብኡ ክመልሶ ክኢሉ።

ጎርዶን ኣቐዲሙ ምስ ንጉስ ውዕል-ሰላም ምኽያድ ዝነበረ ተኽእሎ ንምድህሳስ፡ ብባጽዕ ኣቢሉ ኣብ ዶብ ዓድ-ሓበሻ በጽሐ። እቲ ብወለንኪኤል ክፍጸም ዝጸንሐ ናይ ራዕዲ

ተማባራት ደው ከይበለ ግን፡ ተልእኾኡ ውጽኢት ከም ዘይርከቦ ብኡ ንብኡ ተገንዘበ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሓያል-ክፋል ናይቲ ኣብ ትሕቲ-ትእዛዝ ጎርዶን ከሰርሕ እተመደበ ሰራዊት-ግብጺ፡ ንቱርኪ ኣንጻር ሩስያ ኣብ ዝመደቦ ኩናት ክሕግዝ ተላኢኹ ብምንባሩ፡ ጎርዶን ኣንጻር ወለንኪኤል ኩናት-ምኽታት ኣይተኻእሎን። ብዘይካ'ዚ ድማ ኣብ "ዳርፋር" ዓቢ ናዕቢ ከም እተላዕለ ዘመልክት ሓበረታ እውን በጺሕዎ ነይሩ እዩ። ስለዚ ጎርዶን ንወለንኪኤል ኣብ ክንዲ ብረጽሚ ምግጣሙ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዓድ-ሓበሻ እናኣተወ ክፍጽሞ ዝጸንሐ ወራራት ምስ ዘቋርጽ፡ ናይ ገንዘብ-ስንቅን ሓገዛት ክወፍየሉ ተመባጽዐ።

ጎርዶን-ፓሻ እዚ ፈጺሙ ን "ዳርፋር" ብዝኑቐለ (ኣብ ሓጺር እዋን ስርዓት ክመልስ ክኢሉ ንውሱን ጊዜ'ውን ንግድ-ባርነት ምውጋድ በቒዑ እዩ)፡ ሃጸይ-ዮሃንስ በዚ ናይ ዕርፍቲ(ጃላ) ኩነታት ተጠቒሙ፡ ኣንጻር "ምኒሊክ ንጉስ-ሸዋ" ተላዕለ።

ቅድሚ ንሸዋ ምብጋሱ ግና፡ ኣንጻር ወለንኪኤል ከኸትቶ ንማለት፡ ነቲ ነዊሕ እዋን ኣብ ማሕዩር ዝጸንሐ ደጊያት-ሃይሉ ሓራ ለቐቑ፡ ኣመሓዳሪ-ሓማሴን ከኸውን መረጾ። ወለንኪኤል ብዙሓት ሰዓብቲ ኣኸቲሉ(ኣከለ-ጉዛይ ብምልኡ ምሳኡ እዩ ተሰሊፉ) ኣንጻር ደጊያት-ሃይሉ ተላዕለ። ኣብ ወኪድባ ብዝተጋጠሙ ድማ፡ ደጊያት-ሃይሉ ተሳዒሩ ምስ ብዙሓት ኣገማዱ ተቐትለ -ጽድያ 1877 ዓ.ም.-

ኣብዚ ሓያል ኩናት ግና፡ ወለንኪኤል እውን ብሞት በኺሪ ውላዱ ደጊያት-መኩንን ብዙሕ ከሲሩ እዩ።

1878 ዓ.ም.

ኣብ መጀመርያ እዋናት ናይቲ ዝሰዓበ ዓመት፡ ሃጸይ-ዮሃንስ ብሓቂ ተሸጊሩ ነቲ ዝኣምኖ "ራእሲ-ባርያው" ኣንጻር ወለንኪኤል ኣኸተቶ። እንተኸውን እዚ ተባዕ-ወታሃደር እውን ብግደኡ፡ ኣብቲ ኣብ ሞንጎ ፎርት-ባልዲስራ/ኣስመራን/ዝርከብ ቦታ ማለት ኣብ በረኸቲ ናይዚ ሎሚ "ቺንታቶ" እተባህለ መደበርና(ካምፖ-ቺንታቶ = ካምብሽታቶ)፡ ብወርሒ መጋቢት 1878 ዓ.ም. ተሳዒሩ ተቐትለ[11] ።

ኣብ ኩሉ'ዚ ወለንኪኤል ዘካየዶ ፍጻሜታት፡ "ዑስማን-ፓሻ" እዩ ብእተፈላለየ መንገዲ ሓጋዚኡ ዝነበረ። ምንም'ኳ ዑስማን-ፓሻ ኣብ ወረዳታት ቀይሕ-ባሕሪ ከም ምክትል-ጎርዶን ኮይኑ የገልግል እንተነበረ፡ ጎርዶን ብዘይፈልጦ ምስጢር እዩ ዘድሊ ሓገዛት ንወለንኪኤል ከበርክት ጸኒሑ።

ናይ ውግእ-ምኒስተር መንግስቲ-ከዲቭ ንባዕሉ ካብ መደባት ጎርዶን ርሒቑ፡ ነቲ ብ ዑስማን-ፓሻ ዝወሃቦ ዝነበረ ሓበረታ ተኸቲሉ፡ ወለንኪኤል ንራእሲ-ባርያው ብሰዓር፡ ጽሁቕ ምንዮት እትገልጽን- ኣብ ስርሓቱ ክደፍእ እተተባብዕን ደብዳቤ ለኣኸሉ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ ን ሓበሻ ፈጺምካ ኣውጺእካ፡ ኣብ ጽላል-ግብጺ ዝኣቱ ግንከ ባዕሉ-ዝመሓደር መንግስቲ ኣብ መረብ/ምላሽ ናይ ምቛም ተኽእሎ ዘተሓሳስብ መደብ እውን ዝነበሮ ይመስል።

ግብጻውያን፡ ኣብ ዋንነት ጎማግም ቀይሕ-ባሕሪ ተወሲኖም፡ ኣብ ሓድ-ሓደ ነቑጣታት ከም ኣብነት ኣብ "ከረን"፡ንኡሳን መደበራት-ሰራዊት ሃልዮምም፡ሰንሒት-ማርያ እውን ከይተረፈ ንወለንኪኤል ከመሓላልፉ እዩ እቲ ሓፈሻዊ-መደብ ዝነበረ። ኮይኑ ድማ፡ ነቲ እተዋህቦ ናይ ራእሲ ሽመትን-ሕጹይ መራሒ ናይ መጻኢ ሓድሽ-መንግስቲ ዝሕብርን «ወርቂ-ጋማ» ንወለንኪኤል ከም ምልክት ልኡላዊ-ስልጣን ተላእከሉ።

ኣብዚ ውዕላት'ዚ ዓቢ ተራ እተጻወተን፡ ኣድላይ ኣብ ዝበሃለሉ ሓቅነቱ ከምስክር ድልው ዝኾኑ ኢጣልያዊ-ዜጋ፡ ኣብ ህልዊ-እዋን(ሽዑ ምኺኑ እዩ)ኣብ ባጽዕ ይነብር።

ብርእይቶይ(ደራሲ)፡ እዚ ምስ ወለንኪኤል እተመስረተ ዝምድና -ብዘይካ'ቲ ዝሰዓበ ዘይምርድዳእ- ቀጺሉ እንተዝኸውን፡ ምስቲ ኣብ ሱዳን እናማዕበለ ክመጽእ ዝጸንሐ ኩነታት ተዛሚዱ፡ ንግብጺ ኣድማዒ መኽሰብ ዘኽትል ታሪኽ ከይኮነ ኣይምተረፈን።

ጎርዶን ግን፡ ተጻራሪ ርእይቶ እዩ ዝነበሮ።

---

[11]- ንራእሲ ባርያው-እንዳኡን ዝምልከት፡ ኣብቲ ሰዒቡ ዝቐርብ ጥብቆ ተመልከት።

ጎርዶን ኣብ ካርቱም ኣብ ዝነበረሉ፡ ራእሲ-ወለንኪኤል እንደገና ኣንጻር ንጉስ ኩናት ከም ዘልዓለ ዘረድእ መልእኽቲ በጽሖ። ስለዚ ንክረን ገጹ ኣልዒሉ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ መጋቢት ድማ ናብዚ ቦታ'ዚ በጽሐ። ተቐላጢፉ'ውን፡ ግብጺ ንወራራት ራእሲ-ወለንኪኤል ደው ከብሎ ምኽኑን- ዋንነት ወረዳ ቦጎስ ባዕሉ ግብጺ ክዕቅቦ ዘለዎ መደብን ዝሕብር መልእኽቲ፡ ንሃጸይ-ዮሃንስ ለኣኸሉ። ኣስዒቡ ድማ፡ እቲ ንሱ ምስ ዓድ-ሓበሻ ብዛዕባ ሰላም ዝወጠኖ መደባት፡ ወለንኪኤል ምኽኑ ዓንቃፊኡ ተረዲኡ፡ ጎርዶን ምስ ንጉስ ሓቢሩ ንወለንኪኤል ማሪኹም ንኳይሮ ምልኣኹ ከም ዝሓይሽ ዝብል ሓሳብ ኣቕረበሉ። እዚ ጎርዶን ዝለኣኾ መልእኽቲ ግን፡ መልሲ ኣይረኸበን። ምኽንያቱ ነቲ ደብዳቤታት ወለንኪኤል ከጨውዮ ክኢሉ፡ ሰበ-ስልጣን ግብጺ የካይድዎ ዝነበሩ ድርብ ፖሊቲካዊ-ሜላ ተረዲኡ፡ ባዕሉ ምስ ሃጸይ-ዮሃንስ ምዕራቕ ወሰነ። እቲ ሃጸይ ነዚ ተበግሶ'ዚ ተቐቢሉ ነቲ ኣብ ሓማሴን ዝርከብ ዝነበረ "ሻለቃ-ኣሉላ" ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ መፈጸምታ ከብጽሕ፡ ምሉእ ስልጣን ፈቐደሉ።

1879 ዓ.ም.እዚ ውዕላት'ዚ ብወርሒ ታሕሳስ ይድምደመሉ ኣብ ዝነበረ እዋናት፡ ዮሃንስ ኣብ ካልእ መዳይ፥ ምውሳን ደባት ኮነ- ምልኣኽ መተካእታ ኣቡን- ዝምልከት ተወሳኺ ናይ ዕርቂ-ውዕላት ምስ ጎርዶን ኣበገሰ።

ኣብ "ኮርዶፋን" እውን ከምቲ ናይ ዳርፉር «ባሕር ኣል ጋዛል» ኣብ እተባህለ ቦታ፡ ንምሉእ ሱዳን ካብ ግብጺ ምንጻሉ ዝብል ምንዕዓብ ስለ እተላዕለ፡ ጎርዶን ብወርሒ መጋቢት 1879 ዓ.ም. ናብቲ ቦታ'ቲ ክብገስ ተገዲዱ፡ እቲ ምስ ዮሃንስ ዘንቀሎ ናይ ዕርቂ ስምምዓት፡ ከምኡይሉ ተወንዚፉ ተረፈ።

ብወርሒ ነሓሰ፡ እስማዒል-ፓሻ ካብ ስልጣኑ ወሪዱ "ተውፊቅ" ብእተባህለ ውላዱ ተተክአ። ጎርዶን ንካይሮ ተጸዊዑ ኣብ ከንዳኡ ድማ ጠቕላሊ ኣመሓዳሪ-ሱዳን ተባሂሉ "ራውፍ-ፓሻ" ተመርጸ። ኣብ ካይሮ ጎርዶን ምስ'ዚ ሓድሽ "ከዲቭ" ብዛዕባ ንዓድ-ሓበሻ ዝምልከቱ ብዙሓት ጉዳያት'ውን ተመያየጠ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ራእሲ-ወለንኪኤል ምስ ሃጸይ-ዮሃንስ ድሮ ተዓሪቑ፡ ምስ ሻለቃ-ኣሉላ ቦጎስ ንምውራር ስምምዕ ገበረ። ስለዚ እውን ናይ ግብጺ ከዲቭ፡ ነቲ ጎርዶን ባዕሉ ናብ ሃጸይ-ዮሃንስ ልኢኽ ሒዙ ምቕራብ ዘንቀሎ ሓሳብ፡ ተቐበሎ።

ብ 6 መስከረም ጎርዶን ኣብ ባጽዕ ብዝበጽሐ፡ እቲ ናይ ሓበሻ ወራር ኣብ ልዕሊ ቦጎስ ብሓቂ ከም እተፈጸመ ክፈልጥ ክኣለ። ንጽባሒቱ፡ብዛዕባ ተልእኾኡ ዝሕብር መልእኽቲ ናብ ኣሉላ ልኢኹ፡ ኣብ ጉራዕ ክራኸቡ ዕድመ ገበረሉ። ብዕለት 11 ናይቲ ወርሕ'ቲ፡ ጎርዶን ካብ ባጽዕ ተበገሰ። ንጽባሒቱ ድማ ኣብ መንገዲ እንከሎ፡ ኣሉላ ብትእዛዝ ንጉስ፡ ንወለንኪኤል ኮነ ንኩሎም ትሑታን-መራሕቱ ከም ዝኣሰሮም ተነግሮ።

ጎርዶን ኣብ ጉራዕ ብዝበጽሐ፡ ኣሉላ እቲ ምሳኡ እተሓሰበ ዘተ፡ ብቀጥታ ምስ ሃጸይ-ዮሃንስ ምክያዱ ከም ዝሓይሽ ኣረድኦ። ሃጸይ-ዮሃንስ ኣብ ደብር-ታቦር እዩ ዝነበረ። ጎርዶን ድማ ብ 27 ጥቅምቲ ኣብቲ ቦታ በጽሐ። ኣብ ዝሰዓበ መዓልቲ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ ድማ፡ ዮሃንስ በቲ ኣሉላ ኣብ ሰሚን ዝረኸቦ ዓወታት ኩርዓት እሕዲሩን- ግዝኣት ግብጺ ኣብ ሱዳን ብዝነበሮ ሓደገኛ ኩነታት ተተባቢዑን- ብዘይካ'ዚ'ውን ኣብ ትሕቲ ዘይፍትሓዊ መንግስቲ ራውፍ-ፓሻ ኩነታት ግብጺ ኣብ ዝበኣሰ መልክዓቱ ከም ዝወደቐን ተረዲኡ፡ ንጎርዶን ብዝስዕብ ኣገባብ፡ ጠለባቱ ኣቕረበሉ፥

«...ድልየትኩም ሰላም እንተድኣ ኮይኑ፡ ሰላም ይኹን። መተማ- ሻንቅላ- ቦጎስ ክምለሱኒ ይግባእ። ዘይላ-ሓንፈላ- እውን ይወሃቡኒ። ኣቡን እውን ይፈቐደለይ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 2 ክሳብ 3 ሚልዮን ሽልን(ስተርሊን) ካሕሳ ይሓትት። መንግስቲ-ከዲቭ ናይ ገንዘብ ጸገም ምስ ዝህልዎ ድማ ኣብ ክንዳኡ፡ መሬት-ቦጎስ/ ባጽዕ/ ሓደ-ኣቡን/ ይወሃቡኒ። ደንጎላ- በርበር- ኑብያ- ሰንዓር- ክይተረፉ ክሓትት ምኽኣልኩ። እዚ ግን ኣየድልየንን። ኣብ ከባቢ ሃራር መሬት ይወሃበኒ...» ዝብል እዩ ነይሩ ኩነቱ።

ጎርዶን፡ ነዚ ጠለባት'ዚ ብጽሑፍ ከቕርቦን፡ ንመልሲ ከዲቭ ድማ 6 ወርሒ ዝኣክል ጊዜ ክጽበን ሓተተ። ዮሃንስ ግን ኣይተቐበሎን።

ብ 6 ሕዳር እንደገና ኣብ ሞንጎ ጎርዶን-ንጉስን፡ ተመሳሳሊ ዘተ ቀጸለ። ውጽኢቱ ግን ኣይለወጠን። ከም ዝመስሎ፡ ኣማኻሪ ናይዚ ጠለባት'ዚ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ ሃጸይ-

ዮሃንስ ዝዓረኸ ግሪኻዊ-ዜጋ እዩ ዝነበረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብድሕር-ካልእ ዝሰዓበ ምድንጓያት፣ ሃጸይ-ዮሃንስ ንጎርዶን ጠለባቱ ዘማልእ ደብዳበ ኣረኪቡ ተፋንዎ።

ጎርዶን ብእኡ ንብኡ ብ ጋላ'ባት ኣቢሉ ንኻርቱም ዝመልስ መንገዲ ሓዘ። ቅድሚ ንጋላ'ባት ምብጻሑ ግን፣ ሃጸይ-ዮሃንስ ወታሃደራቱ ልኢኹ፣ ኣሲሩ እንደገና ንጎንደ-ሓበሻ መለሶ። ብዕለት 8 ወርሒ ታሕሳስ ግን፣ ጎርዶን ባጽዕ ከም ዝበጽሐ ኰነ።

ኣብዚ እዋናት'ዚ፣ ራእሲ-ወለንኪኤል ብትእዛዝ ሃጸይ-ዮሃንስ ኣብ «እምባ-ሰላማ» እዩ ተኣሲሩ ዝነበረ። ከም ዝመስሎ፣ እዚ ማእሰርት'ዚ ብምኽሪ ኣሉላ እዩ ተፈጺሙ።

ንኣሉላ እዩ'ውን እቲ ኣቐዲሙ ንወለንኪኤል እተፈልጠሉ ግዝኣታት ኰነ- ራእሲ ዝብል ሽመትን-ብተወሳኺ "ቱርኪ-ባሽያይ" ተባሂሉ ሰሜናዊ-ዶባት ንግስነት-ኢትዮጵያ ናይ ምክልኻል መዝነት ተዋሂብዎ።

ከምዚ'ሉ ኣሉላ፣ ኣብ እስመራ ቄይሙ፣ ክሳብ 10.000 ሰብ ዝግመቱ ሰራዊት-ትግራይ ዝከላኸልዎ ዕርዲ ሃኒጹ፣ተረር ወታሃደራውን-ኣዝዩ ጨኳኒ መንግስትን ክምስርት ከኣለ።

እቲ ካብ ጥንቲ ተዓቂቡ ዝጸንሐ ነጻነት መረብ/ምላሽ (ኣብ ናይ መወዳእታ እዋናት ኣብ ፋሉልነት ተሰፋ ምቕራጽን ምዝምባሉ ብዘየገድስ) ራእሲ ወለንኪኤል ምስ ተኣሰረ እዩ ህላዌኡ ኣብቂዑ። ብዝኾነ እውን፣ እቲ ፋሉላዊ-እዋናት ዘኸተሎ ክሳራ፣ ካብቲ ሕሱም- በቃቕ- ኣራዊታውን መግዛእቲ ትግራይ ዘኸተሎ ሳዕቤናት ኣዝዩ ለጠቕ ዝበለ ሚዛን እዩ ዝነበር። እቲ ዘይዕጸፍ ኣንጻር'ዚ መግዛእቲ'ዚ እተላዕለ ተቓውሞ እዩ'ውን ደቀ'ባት ንከረን ኰነ ናብ ገማግም-ባሕሪ ክስደዱን፣ ቀጺሎም ድማ ኲሎም'ቶም ዓቕመ-ብረት ዘብቅዑ ዜጋታት ኣብ ጕላጕል ሕጡምሎ ኣባና ኣብ ኢጣልያ ክጥርንፉ ዝደፋፍእ ዕላማ።

ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1889 ዓ.ም. ድማ "ጀነራለ-ባልዲሰራ" ጊዜኡ ኣኺሉ ምስ በለ እዞም ውፉያት ሰደተኛታት እዮም መሪሖም ብዓወት ንከበላ ክንድይብ ሓገዞም ኣወፍ-ዮምልና።

ራእሲ-ወለንኪኤል፣ ክሳብ ግንቦት 1891 ዓ.ም. ኣብ እምባ-ሰላማ ተሓይሩ ጸኒሑ፣ ደበብ ምስ ወጸ እዩ ሓራ ተባሂሉ። ሉሚ(ኣብቲ እዋንቲ)ተኸታል ራእሲ-ኣሉላ ኰይኑ ብእኡ'ውን ተደጊፉ ኣብ ትግራይ ይነብር። ዝውፈየሉ ዘሎ ደገፍ ግና፣ ንፍቶት-ዕርክነትን ዘይኰነ(ኣብዚ እዋናት'ዚ ወለንኪኤል ክበግሶም ዝኽእል ፍጻሜታት ኣገዮም ውሱናት'ዃ እንተኾኑ፣ ሃጊት ብኣሉላ እተጸልአን ዘይእመንን እዩ) ምናልባት ስለ ኣኽብሮት ዝነበሮ መዝነትን፣ ከምኡ'ውን ኣድላይ ኣብ እተባህለሉ ኢጋጣምታት፣ ብስሙን-ዝኸረ ጅግንነት ዝናኡን ኣንጻር-ኢጣልያ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ስለ እተራእየ እውን ክይኰነ ኣይተርፍን።

* * *

ራእሲ ወለንኪኤል

ራእሲ - አሉላ

1ይ. ምልክታ

ብዛዕባ ንግስቲ-ሳባ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝንገር ዝና።

****

ነቲ ብ " ቲቶ-ሊቭዮ " (ጥንታዊ ናይ ታሪኽ ተመራማሪ) ብዛዕባ መበቆል «ጥንታዊ ስልጣኑ-ሮማ» እተመሓላለፈ ባህሊ ክዕኑ ንግለት፣ እቲ ምናልባት ብዘይ-ፍላጥ ኮይኑ ግን ብእሩም ኣገባብ ሓደ-ዕስራቱ(1/10)ብስነ-ፍልጠት/ ትሽዓተ ወኾ ድማ(9/10)ብዓሌታዊ ትምክሕቲ ዝቾርብ ናይ ጀርመን ወቐሳ፣ ብዘይካ ነቶም ክብርታት ሃገሮም እነኣሊሶም፣ ናይ ባዕዲ ዝውድሱ ሓድ-ሓደ ዜጋታትና(ናይ ኢጣልያ ዜጋታት) ንመብዛሕትኦም ኢጣልያውያን ዘጕሃየ ጉዳይ እዩ ዝነበረ።

ብእንጻር ናይዚ ግና፣ እቲ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ኣብ " ፎሮ " እትገብረ ኸዕበት ዘኸተሎ ሓቅታት፣ ብዘይካ ነቶም ንጀርመናውያን ዝውድሱ ፈላማትና፣ ንደቅ-ሃገር ዘኾርዕ ተርእዮ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ። ምኽንያቱ ድማ፣ ነቲ ብ " ቲቶ-ሊቭዮ " እተነግረ ዛንታ ዘረጋግጽ ጭብጢ ኮይኑ፣ ኣብ ድሕረ-መጋረጃ ዝና መበቆል ፍቕርቲ-ኩተማና ሮማ ኩነ/ ልኡላዊት ሃገርና/ ኢጣልያዊ ስነ-ሓሳብን/ ደጊም'ውን ብዙሓት ሓቅታት ተደቢቖም ከም ዘለው ስለ ዘሕጽርን እዩ።

እዚ ኣብነት'ዚ፣ ነቲ በታ ፈላጥ እትበሃልን- ነቐፊታ እውን ዘይተናሕሰየልናን ሃገር-ጀርመን ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ንሓደ ከም " ኣርሚንዮ " ዝኣመሰለ ኣረሚናዊ-ካሕዳይ፣ ከም ሃገራዊ-ጅግና ገይርካ ምቕራብ ዝኣመተ ምህሮ፣ ኣገዳሲ ክብ ዝብሎ ኣብነት እዩ።

ኣብ ቺፐሮ- ክረታ- ታሕተዋይ እስያ- መዞፖታምያ- ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት እተፈጸሙ ድህሰሳ፣ ኣዝዮም ጥንታውያን- ዘደንቑን- ሓቅነት ዘመስክሩን ሰነዳት ተረኺቦምሉ ኣብ ዘለው ወቕቲ፣ ክመይ'ሉ ታሪኽ ጥንታዊት-ሮማ እተኣልመ ምህሮ ተባሂሉ ? እቶም ብዛዕባ ስነ-ፍልጠት ኩነ ሞጕታዊ ኣመጻጽኣ ታሪኽ ተልመደን ዝበሃሉ ባእታ'ኒ፣ እዝስ ኣይም-ሰሓትምን።

እዚ ክሰፍሕ ዝግበኦ ሞጕተ፣ ከምዚ'ሉ ብሓጺሩ ዝጥቀስ ዘሎ፣ እንባቢ ብዛዕባ ክልተ-ነገር ኣተኲሩ ክሓስብ ከም ዝግባእ ንምዝኽኻር እዩ፥

1ይ-ዝኾነ ይኹን ያታ ሓቂ-ሓዘል መልክዓት ከም ዝርከቦን -

2ይ-ያታ ክበሃል እንከሎ፣ ነቲ ዝምልከቶ ህዝቢ ቅዱስ ብምዃኑ፣ ዓቢ ግምት-ኣኽብሮትን ዝኣመሰለ ትዕዝብቲ ክዝንጋዕ ኣይግባእን-

እዚ ሓቅታት'ዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳያት መጽናዕቲ ንምክያድ ዘገልግል መሳርሒ እኳ እንተኾነ፣ መሰረት ናይ ኣዝዩ ጥንታዊ-ታሪኽ ዝኾኑ ያታ ኣብ ተልዕለሉ እዩ ኣገዳስነቱ ዝያዳ ርዱእ ዝኸውን። ምኽንያቱ ድማ፣ ያታ እዮም ኣብ ታሪኻዊ ፍጻሜታት ደቅ-ሰብ ኣድማዒ ተራ ዝጻወቱን- ንባዕሎም ድማ ትርጉም ምንባር ናይ ህዝብታት ብምዃኖም፣ ዝዓነውን-እተሰናኸሉን ሕብረተ-ሰብ ክይተረፉ፣ ብዝጸንሐ ያታኦም ተደጊፎም እዮም ከም እንደገና ዝለዓሉ።

እቲ ንሕና ኢጣልያውያን ክሳብ ዕለት-ሎሚ ዝዘንጋዕናዮ፣ ካብ 3000 ዓመት እትሒዙ ንመላእ ታሪኽ-ኢትዮጵያ ዘረድእ ን «ንግስቲ-ሳባ» ዝምልከት ያታ፣ ብርእይቶይ ምስቲ ኣቐዲመ እተገልጸ ሓፈሻዊ-መረዳእታ ክጥቀስ-ክስራዕን ዝከኣል ኣብነት እዩ።

ስለዚ ከምቲ ባዕለይ ብቃል-ደቀባት ኤርትራ፣ ሓድ-ሓደ ወገናቱ ብሃማኖናዊ-ኣገባብ ኮሓሎም ዘቕርብዎ ገይረ ከቕርቦ፣ እንባቢ ሓፈሻዊ ትሕዝቶኡ እናተረድኦ፣ ተጻላኢ ኮይኑ ክይረኽቦ ተስፋ የንብረሉ።

****

ነዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት ኣብ ኢትዮጵያ ዝውቱር ዝኾነ ያታ፥ ኣብ መጽሓፍ-ቅዱስ- ቀዳማይ መጽሓፍ ነገስት፡ 10ይ- ምዕራፍ- ኣብ ዝርከብ ጥቕስታት እዩ ምርኩሱ፧

«.....ንግስቲ ሳባ ድማ ወረ ሰሎሞን ብዛዕባ ስም እግዚኣብሄር ምስ ሰምዓት፥ ብሕንቅልሕን-ቅኒቶይ ክትፍትኖ መጸት። ምስ ኣዝዩ ብዙሕ ጉዕዞ፥ ምስ ቀመማትን ኣዝዩ ብዙሕ ወርቅን ክቡራት ኣእማንን እተጻዕና ኣግማል ኰይና ናብ የሩሳሌም መጸት። ናብ ሰሎሞን ምስ ኣተወት ድማ፥ ኣብ ልባ ዝነበረ ኩሉ ኣዛረበቶ። ሰሎሞን ከኣ ኩሉ ዘረባኣ ገለጸላ፥ ዘይገለጸላ ካብ ንጉስ እተሰወረ ነገር ኣይነበረን። ንግስቲ-ሳባ ጥበብ ሰሎሞንን እታ ዝሰርሓ ቤትን ምስ ረኣየት፥ መብልዕ መኣዱን ኣቀማምጣ ገላውኡን ኣቀውማ ኣገልገልቱን ኣከዳድናኦምን ኣሰሰፍቱን ንቲ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዚድይቦሉ መሳልልን ምስ ረኣየት ውናኣ ተመሰጠ። ንንጉስ ከኣ በለቶ፤ እቲ ኣብ ሃገረይ ከሎኹ ብዛዕባ ግብርኻን ብዛዕባ ጥበብካን ዝሰማዕክዎ ነገር ሓቂ እዩ። መጺአ ብዓይነይ ክሳዕ ዝርኢ ድማ፥ ንቲ ዘረባ ኣይኣመንክዎን፥ እንሆ ኸኣ፥ ፈረቓ እኳ ኣይነገሩንን። ካብቲ ዝሰማዕክዎ ወረ ዚበዝሕ ጥበብን ጽቡቕ ነገርን ኣሎካ፥ እቶም ሰብካ ብጹኣን እዮም፥ እዞም ወርትግ ኣብ ቅድመኻ ደው ኢሎም ጥበብካ ዚሰምዑ ገላውኻ ብጹኣን እዮም። እቲ ኣብ ዝፋን እስራኤል ከቐምጠካ ዝፈተወካ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብሩኽ ይኹን። እግዚኣብሄር ንእስራኤል ንሓዋሩ ስለ ዝፈተዎ፥ ፍርድን ጽድቅን ምእንቲ ኽትገብር፡ ንጉስ ክትከውን ሸመካ። ንሳ ድማ ንንጉስ ሚእትን ዕስራን ታለንት ወርቅን ኣዚዩ ብዙሕ ቀመማትን ክቡራት ኣእማንን ሃበቶ፥ ድሕርቲ ከምቲ፥ ንግስቲ ሳባ ንንጉስ ሰሎሞን ዝሃበቶ ዝምብዛሑ ቀመማት ከቶ ኣይመጸን። እተን ካብ ኦፊር ወርቂ ዘምጽኣ መራኽብ ሒራም ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ ዕንጨይቲ ሰንደልን ክቡራት ኣእማንን የምጽኣ ነበራ። ንጉስ ድማ ካብቲ ዕጨይቲ ሰንደል ንቤት እግዚኣብሄርን ንቤት ንጉስን ዝኸውን መጋረጃታት፥ ንመዘምራን ዝኸውን መሰንቆታትን በገናታትን ገበረ። ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ከምኡ ዝበለ ዕጨይቲ ሰንደል ኣይመጸን፥ ኣይተራእየን ድማ። ብጀካ'ቲ ሰሎሞን ከም ናይ ንጉስ ልግሰኡ ዝሃባ ኸኣ፥ ንጉስ ሰሎሞን ንንግስቲ ሳባ ዝለመነቶ ዘበለ ኩሉ ድላያ ሃባ። ንሳ ድማ ተመሊሳ ምስ ገላውኣ ናብ ሃገራ ኸደት።......»

ነዚ ብተመሳሳሊ ቃላት ኣብ 9ይ- ምዕራፍ- ካልኣይ መጽሓፍ ዜና መዋእል- ዝድገም ዛንታ እዩም ህዝብታት ኢትዮጵያ፥ ምስክር ዘይግቦእ ታሪኻዊ ዶኩመንቶ ከም ዘለዎ ክብረ፥ ንግስት-ሳባ ሃገሮም ምዃኑ ዝምጉትሉ።

ብተወሳኺ'ውን ንሳቶም ከም ዝብልዎ፥ ሓደ ካብቲ ንግስቲ-ሳባ ሓቲታ እተፈቕደላ ውህበት፥ ውሑድ ናይ ፍቕሪ ደቓይቕ ብምንባሩ፥ ካብ እተፈጸመ ሰጋዊ-ርክብ፥ ወድ-ንጉስ ዝትርጉሙ «ምኒሊክ» ወይ «መንይለክ» እተባህለ ወዲ ከም እተወልደን- በቶም ህዝብታት ድማ ናይቲ ን 3000 ዓመት ኣብ ኢትዮጵያ ዝገዝአ ስርወ ርእሰ-ነገድ ከም ዝኾነን ይኣመን።

እዚ እምነት'ዚ ክሳብ ክንደይ እዩ ሓቅነቱ ?

ብኣይን- ብሕጽር ዝበለ ምልክታትን ክውሰን- ከምለስ ዝከኣል ሕቶ ኣይመስለንን። ብዝኾነ ግና ኣነ(ደራሲ) ኣዝዩ ይኣምነሉ።

ብመጀመርያ፥ ዓድ'ዛ ምስጢራዊት ንግስቲ ንዝምልከት፥ ኣብ እተፈላለየ ወገናት መጽሓፍ-ቅዱስ፥ ኣብ ደቡብ ዝርከብ ሃገር ምዃኑ ይጥቀስ። ሃገረ-ዓረብ ብደቡባዊ-ምብራቕ የሩሳሌም ስለ ዝርከብ ድማ እዚ ጥቕሲ'ዚ ካብ ንዓኡስ፥ ብዝያዳ ንኢትዮጵያ ዘምሕረሉ ይመስል። "ጸንፌ-ጓርዳቶይ" ብጥንቲ ከም "ጸንፌ-ቀመማት" ይፍለጥ ብምንባሩ'ውን እታ ብዙሕ ቀመማትን-ወርቅን ዝኣመሰሉ ህያባት ንንጉስ እስራኤል ዘበርከተት ንግስቲ ብፍላይ ኢትዮጵያዊት ምዃና ይሕብር።

ከምኡ'ውን ከምቲ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ኣብ ከባቢታት ኣስመራ ኣብቲ ከም «መብቆል-ንግስቲ ሳባ» ዝፍለጥ መብቆል(Miniera = Mine) ብእተፈጸመ ድህሰሳ እተረኽቡ ጕዳጕዲ- ጥንታውያን ናውትን ዘመስክርዎ፥ ካብ ኣዝዩ ርሑቕ-ዘመናት እተዳህሰሰ ክሳሉ፥ ኣብ ከበ-መሬት ኢትዮጵያ ገና እተደበቐ ወርቂ ምህላው ዘየጠራጥር እዩ።

እቶም ግዝኣት ንግስቲ-ሳባ "ሃገር-ዓረብ" ድኣ'ምበር ኢትዮጵያ ኣይኮነን ዝብሉ ወገናት፥ ኣብ ኣሰራት ጥንታውን- ክብረ ዝግበኣን ስልጣኔ፥ ብሕልፊ ድማ ኣብ ደቡባዊ-ወገን ናይቲ ሰፊሕ እስያዊ ሓውሰ-ደሴት ብብዝሒ እተረኽቡ ናይ ጥንቲ ጽሑፋት እዮም ዝምርኮሱ። ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግበኦ ነገር ግና፥ ኣብቲ ቦታ'ቲ እተገብሩ ድህሰሳ፥ ኣብ ጥዑም ኩነታት እዮም ተኻይዶምን- ኣብ መፈጸምታ በጺሖምን። ኰይኑ ግና፥ ኣብ ኤርትራ'ውን ብስሩዕ ኣገባብ እተኻየደ ስነ-ፍልጠታዊ ድህሰሳ ዛጊት ድኣ ኣይሃሉ'ምበር፥ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ኣብ ኣዝዩ ጥንታዊ እዋን ክብረ ዝግበኦ ስልጣኔ ከም ዝዓምበበን- ታሪኻዊ ጭብጡ ድማ በቲ ክሳብ ዕለት ሎሚ ትርጉሙ ክፍለጥ ዘይተኻእለ ናይ ኣኽሱም-ሓወልቲ ዝረጋገጽ ዶኩመንቶታት ክርከቡ ተኻኢሎም እዮም።

ካልእ ክርሳዕ ዘይግባእ ነገር፡ ዘደንቕ ተመሳሳልነት ናይቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ብደቡብ ወሽመጥ-በረኒቾ ኣብ ክልቲኡ ወገን ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ነቢሮም ዝበሃሉ ህዝብታት እዩ። ንሳቶም፡ ኣባላት ሓደ-ነገድ ኮይኖም፡ ናይ ሓባር- ባህሊ- ሃይማኖት- ቋንቋ እዩ ዝነበሮም። ምናልባት ፖሊቲካዊ ምውህሃድ እውን ጸኒሕዎም -ኣብ ህልዊ እዋን ክርዳእና ብዘይኽእል ምኽንያታት- እዞም ሰማውያን ህዝብታት ካብ እስያ ኣሳጊሮም ርእሲ-ከተማኦም ኣብ ኢትዮጵያ ዘቕሙሉ፡ ብኑብያ ኣቢሎም ንግብጺ ዝወረርሉ እዋናት ከይከኑ ኣይተርፍን። እንጻር ግብጺ እውን ንብዙሕ ዘመናት ተዋጊእም ከብቕሁ፡ ኣብ ዘመነ ናይቶም ኣብ ታሪኽ ኣብ መበል 16-17 ስርወ ነገስታት-ግብጺ ከም "ሂክሶስ"(ጓሶት) ዝፍለጡ ነጋውስ፡ ንግብጺ ከገዝእዎ ክኢሎም እዮም።

ነዚ ሓያል ሞጐተ ዝሓትት ኣርእስቲ ኣብዚ ኣሕጺርና ግና፡ ካልእ ከምልከት ዝግባእ፡ ኣብ ጥንቲ ዘመናት ኣብ ሃገር-ዓረብ ኣብ ሞንጎ «ማስካት» እተባህለ ቦታን/ የመንን፡ ካብ ዘመነ-ቶሎመይ(በጥሊሞሳውያን) ኣትሒዙ ክሳብ ዘመነ-ሮማውያን ብንግድ ምዕቡል ዝኾነ «ሳባ» እተባህለ ከተማ እንተነበረ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ-ኣፍሪቃ እውን ዛጊት «ዓሰብ» ዝበሃል ከተማ ይርከብ። መበቆል ስም ናይዚ ከተማ'ዚ፡ ካብ "ዓድ-ሳብ" (ዓድ-ሳባ) ምዃኑ'ውን ቀረባ እዩ ዝምድናኡ። ናይ ሓባር- መበቆል -ቋንቋ- ካብ ሃለወ ድማ፡ እተፈላለዩ ትርጉም ዘማልኡ ተመሳሰልቲ ኣስማት ብኽልቲኡ ወገናት ከህሉ፡ ባህርያዊ እዩ። ንኣብነት "መረብ" ክበሃል እንከሎ ኣብ ሃገር-ዓረብ እቲ ቀደም ከተማ ሳባ ዝርከበሉ ወረዳ እዩ ዘመልከት ነይሩ/ ኣብ ኢትዮጵያ፡ መጸውዒ ሓደ ፈለግ ይኸውን። ቦታኡ'ኳ ብልክዕ ኣይፈለጥ፡ ባህሊ ግን ከም ዝጠቕሶ፥ቀደም ኣብ ገማግም ናይዚ ፈለግ'ዚ «ሳባ» እተባህለ ከተማ ከም ዝነበረ'ውን ይዝክር እዩ።

ንኢትዮጵያዊ-መበቆል ንግስቲ ሳባ ዝድግፍ፡ ምስቲ ካብ ኣፍ ናብ ኣፍ ዝመሓላለፍ ባህሊ ዝተ-ኣሳሰር፡ ካልእ ኣገዳሲ ሞጐተ ኣሎ፥

ፕሊንዮ (ሮማዊ-ፍላስፋ) ኣብ ጽሑፉ፡ ብ ናይ "ጅዩባ ንጉስ" ከም እተባህለ ኢሉ እናጠቐሰ - "ትሮጎሎዲተ" ማለት ሚያእን ወይ ሚክእን ኮይኑ ትርጉሙ፡ ኣብኡ ዝነብሩ ህዝብታት «ማክዳኒያን» ከም ዝበሃሉ የዘኻኽር። እቲ ብሓቂ ዘገርም ኣመጻጽኣ ኣስማት-ኣስራቶምን-ንወገን ገዲፍና ኣብዚ ማክዳንያን ዝብል መጸዋዕታ እንተድኣ ኣተኲርና፡ ኢጋታርኪደ-ድዮስኮር-ስትራቦን- እተባህሉ ፍላስፋታት ከም ዝሕብርዎ፡ "ትሮጎሎዲተ" ማለት፡ ብልክዑ እቶም ሎሚ ኤርትራ- ትግራይ- ዝበሃሉ ክፍሊ ኢትዮጵያ ከም ዝኾነ ምዝካር የድሊ። እቶም ብወራራት ሰማውያን-ኣግኣዚ ካብ ከበሳ ተደፊኦም ኣብ «ባርካ» እተወስኑ ሓማውያን-ህዝብታት ባርያ-ባዛ፡ ዛጊት ን ህዝብታት ኤርትራን-ትግራይን "ማከዳ" ኢሎም ይሰምይዎም። ከምቲ ሰዒቡ ዝግለጽ ድማ፡ ኣብ ኤርትራን ትግራይን ዝውቱር ብዝኾነ ህዝባዊ-ባህሊ፡ ንግስቲ-ሳባ ንባዕላ ከም ማክዳ እያ ትፍለጥ።

ናብ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ኤርትራ ብኣፍ ዝመሓላለፍ ባህልን/ ካብ እተፈላለዩ ምንጭን-ቦታን ዝረኸብናዮም ሓበረታ ድኣ ንመለስ።

ኣብ ጸዕዳ-ክርስትያን(ወይ ጸዕዳ-ኩሲታን) -ኣብ ጥቓ ኣስመራ ዝርከብ ቁሸት- ከም ዝዝንተዎ ማክዳ ካብ የሩሳሌም ብዝተመልሰት፡ ኣብ ንጠራቶም ን «ቀዳማይ-ምንሊክ» ከም ዝወለደት ይንገር። እቶም ህዝቢ፡ ሎሚ'ውን እንተኾነ ብሓበን፡ እቲ ቦታ፡ ኣብ ሩባ-ሩባ ውሓዚ "ማይ በላ" ጥቓ ቁሸቶም ከም ዝኾነ ይሕብሩ።

"ማይ-በላ" በቲ ቦታ ዝውሕዝ ሓደ-ጨንፈር ፈለግ-ዓንሰባ እዩ። ካብ "ማይ-ጕላ" ወይ "ዓንሰባ-ሃዚጋ" ንምፍላዩ፡ "ዓንሰባ-ጸዓዚጋ" እውን ይብሃል እዩ።

ማክዳ ካብ ምንሊክ ብዝተገላገለት(ብሕርሲ ምስ ተገላገለት) ጕሮሮኣ ከተጥልል ማይ በለት'ሞ፡ ብመሰረት'ዚ ድማ እቲ ውሓዚ "ማይ-በላ" ተባህለ። ንዝኸረ ናይዚ ዘይስት ፍጻሜ'ዚ፡ እቲ ውሓዚ "ማይ-መላጸ" እውን ይብሃል እዩ። መላጸ፡ ከም ጥንታዊ-ልምዲ ናይቶም ህዝብታት ካብ መሳልል ወይ መስኖ-ሕምብርቲ፡ ወላዲትን-ውሉድን ዘገላግል መሳርያ እዩ ዝነበረ።

ደቀ'ባት ከም ዝብልዎ፡ ንባዕሉ'ቲ "ዓንሰባ" ዝብል ስም፡ ዓይኒ ወይ ምንጪ-ሳባ ማለት ከም ዝኾነ፡ ተወሳኺ ሓበረታ እዩ።

ብዛዕባ ትሕዝቶ ናይዚ ብኣፍ ዝመሓላለፍ ባህሊ፡ ነቲ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኩነ ኣብ ካልእ ዓውደ-ፍልጠት ብቑዕ ዝበሃልን- ናይ ደብረ ቢዘን ሓላፊ ዝነበረን- ኣባ ገብረግዚኣብሄር ኣብ እተ-ወከስክዎ እዋን፡ ንሱ፡ ነታ ኣብ መጽሓፍ-ቅዱስ ከም "ሳባ" እትፍለጥ ንግስቲ፡ "ኣዜብ" ኢሉ እናሰመየ(ኣብ ካልእ ወገን'ውን በዚ ስም'ዚ ይጠቕስዋ እዮም) ብዛዕባኣ፡ ምንም ዘጠራጥር ነገር ከም ዘይብሉ ገለጸለይ። ምኽንያቱ ድማ፡ መላእ ታሪኽ-ኢትዮጵያ ኣብኡ ከም ዝምርኮስን- እዚ ምስ ዘይህሉ ድማ እቲ ታሪኽ ንባዕሉ ገለጻ ክህልዎ ከም ዘይኽእልን ኣረዳኣኒ።

ብርግጽ ድማ፡ ብቕድም'ዚ ፍጻሜ'ዚ ዘሎ ታሪኽ ነገስታት-ኣኽሱም እንተተመልከትና፡ ካብ ኣርወ(ተመን ወይ ገበል ዝትርጉሙ) ኣትሒዙ- ክሳብ ቀዳማይ ምንሊክ፡ ብዛዕባ ገሊኦም 400

ዓመት ገለን ድማ 300 ዓመት.....ዝነገሱ ተኣምራውያን ነገስታት እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ኣይጠቅስን።

ኣብ ትርጉም ናይዚ ጽውጽዋይ ከየናዋሕና፡ ኣብቲ ሓላፊ "ደብረ-ቢዘን" ዘቕረበለይ መግለጺ ክንምለስ፥ ንሱ ከም ዝኣምኖ፡ ንግስቲ-ሳባ ተወላዲት ኣኽሱም እያ። ካብዚ እውን ብ "ዓሰብ" ኣቢላ ንየሩሳሌም ከም እተሳዕለትን፡ ኣብ እግረ-መልሳ ድማ ኣብ ወደብ-ባጽዕ ከም ዝዓረፈትን ገለጸለይ። ወሲኹ'ውን፡ ቅድም'ታ ንግስቲ ኣብ ስልጣን ምምጻእ፡ ብድሮ ሳግመታት ህዝቢ-እብራይስጥ ንመረብ/ምላሽ ገጹ ከም ዘበለን፡ ኣብዚ ብድሕሪ ምቝም ድማ፡ ሳግመኡ ቀጺሉ ክሳብ ትግራይ ከም ዝበጽሑን ጠቕሰለይ። ምናልባት ንሰም እዩም'ውን ብዛዕባ ቅድስቲ ከተማ-የሩሳሌም/ ሊቅነት ንጉስ-ሰሎሞን/ ሕግታት ሙሴን/ ናይ ምፍላጥ ሃንቀውታ ከሕድሩላ ክኢሎም ይብል።

ሳባዊ-ሃይማኖት ዝዓብለሎ፡ ምልክቱ ገበል ኮይኑ፡ እምልኾቱ ይዝውተረሉ ኣብ ዝነበረ ሃገር፡ ሕግታት-ሙሴ ዝኾተሎ /ትሕትና/ ሞራል/ ኣብ መላእ ሰማዊ-ነገድ ዝዝውተር ናይ ሓባር ልምድታት (ንእብነት፡ ሕገ-ግርዘት)/፡ ኑቶም መስተውዓልቲ ሰባት ከዮሕሰቦም ኣይተረፈን።

ብዛዕባ እዚ ፍጻሜ'ዚ ዘቕረበለይ ጽማቖ ስለ ዘይዓገብኩ፡ ተመሊሰ ን ኣባ-ገብረእግዚኣብሄር ደቂቕ-ወገናት ናይዚ ክቡር ባህሊ ክብርሃለይ ብዝተወከስክዎ፡ ብፍሽኽታ ርእሱ እናንቕንቐ፡ ብስነ-ስርዓት ርእይቶኡ ካብ ምስፋሕ ተቖጠበ። ከምዝኸማና ዝኣመሰሉ ክቡራት-መስተውዓልትን ጊዜኦም ዘባኽንሉ ኣርእስቲ ኣይኮነን፡ እዩ ዝመስል ነይሩ ኹለፋኡ።

ኣነ ግን ካብዚ ናቱ ዝፍለ ዕላማ ስለ ዘንቀለኒ፡ መልሲ ናይቲ ዘቕረብክዎ ሕቶ፡ ኣብ ካልእ ከናድዮ ወሰንኩ። ኣብ "ድባርዋ" ድማ ረኺብክዎ። ጉዳያት ኤርትራ ብፍቕሪ እተኸታተለ ማንም-ሰብ ከም ዝፈልጦ፡ «ድባርዋ» ንነዊሕ ክፍለ-ዘመናት ርእሰ-ከተማ ባሕረ ነጋሲታት እዩ ዝነበረ። ኣብ ካልእ ወገናት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከም እተዓዘብናዮ፡ ኣብ ምምሕዳር ጥንታዊ ንግስነት ኢትዮጵያ፡ ክብሪ ናይቲ «ባሕረ-ነጋሲ» ዝብል ሽመት ደድሕር'ቲ ኣብ ኣኽሱም ዝመናበሪኡ «ሃጸይ» ወይ ንጉሰ-ነገስት እዩ ዝነበረ። ባሕረ-ነጋሲ ኣብ ገማግም-ባሕሪ ዝነበሮ መዝነት፡ ካብ "ወሽመጥ-በረኒቸ" ክሳብ "ጸንፌ-ጓርዳፉይ" ወይ ጸንፌ-ቀመማት፡ ከም ዝመስሎ ድማ፡ ካብዚ ሓሊፉ ክሳብ "ወሽመጥ-ሶፋላ"[1] እዩ ዝርጋሑሉ ዝነበረ።

ንኣታዊ- ንቑጽ መሬት ዝምልከት ዶባቱ ድማ፡ ብምዕራብ- ፈለግ ኣጥባራ/ ብደቡብ- በቲ ብሰንኪ ዋሕዲ ኣፍልጦ ውሽጣዊ-ጉዳያት (ናይ ኢጣልያውያን ዋሕዲ ኣፍልጦ ማለት እዩ) ንነዊሕ እዋን ዘከራኽረ መስመር ወሓይዛት መረብ-በለሳ-ማይ ሙና እዩ ዝውሰን ዝነበረ። እዚ ብባሕረ-ነጋሲ ዝመሓደር ዝነበረ ግዝኣት፡ ንታሕቲ በቲ ናይ ወሰን ደንደስ ከበሳታት ምስ ተሓጽረ ዝሕሆ ቅርጺ ድማ፡ ነቲ እቶም ፈለማይ ካብ "እስያ" ኣሳጊሞም ዝመጹ ሰማውያን- እግእዚ እተሰራጨውሉን ቀጺሎም ድማ ንናይ ኢትዮጵያ ከበሳታት ንምውራር እተጠቕምሉን መንቀሊ-መደበሮም ዝነበረ ቦታ ይመስል።

ናይ እስላም ምስፍሕፋሕ ንኣበሻ ካብ ሃገር-ዓረብ ደፊኡ እውጺኡ ስዒቡ'ውን ክሳብ ኣፍሪቃ እርኪቡ ሓደጋ ምስ ኮኖም፡ ብሕልፊ ድማ ቱርኪ በቲ እብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ብምህዞ ናይ ሓዊ-ብረት ዝረኸብዎ ጸብለልታ፡ ሓገዞም ነቶም ተመሳሳሊ ሃይማኖት ዝነበሮም ኣዕራብ ብዘወፈይሎም፡ ዝነበረ ጥንታዊ እገዳስነት ድባርዋ ተዳኺሙ'ኳ እንተኾነ፡ ክሳብ 16-17 ክፍለ-ዘመን ሓያል-ከተማ እዩ ዝነበረ።

ከምቲ ባሕረ'ጋሲ ይሕኣቕ ናይቶም "ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት-ሃገር" ጣልቃ እቲኹም ተባሂሎም ካብ ኢትዮጵያ እተሰጉጉ ናይ "ፖርቱጋል ሚስዮናውያን" ተጣበቒ ኮይኑ ዝቐረበ፡ ዝሰዓቡ ባሕረ-ነገስታት እውን ንንጉሰ-ነገስት ዘርዕድ ስልጣን እዩ ዝነበሮም።

ኣብ ህልዊ-እዋናት ግና ድባርዋ፡ ብድሕር ደንደስ ሽከቲ ካብቶም ብሰሜናዊ-ምብራቕ መጺኦም ንሓማሴን ብቐሪ-ዘድርቐ ንፋሳት ተኸዊሉ እብቲ ወትሩ ጽድያ ዝነግሰሉ መፈለምታ ተፈታዊ ጉላጉል ሰሪዩ ተታኺሉ ዝርከብ ንእስ-ስእንን ቁሸት ኮይኑ እዩ ተሪፉ። ብልክዑ ድማ ኣብ በረኸቲ የማናዊ ክንፊ ፈለግ-መረብ ይርከብ። እዚ ፈለግ'ዚ ካብቲ ዝምንጭወሉ በረኸቲ ብዝወረደ፡ ብዕሹግ መንቀራቕሮታት ግጊዙ፡ ሎሚ እብቲ ቦታ'ቲ ኣብ ጸቢብ-ደንደስ ተወሲኑ

---

[1]- ኣብ "ብሪቲሽ-ሙዚኡም" ዘገልግል ዝነበረ ነፍስ-ሄር ሓቶ-ብረንት (Mr. Brent) ኣብ ኣስመራ ብቃሉ ከም ዝገለጸለይ- ቀጺሉ እውን ባዕሉ ኣብ ዝጸሓፎ ድርሰትን፡ እቲ ኣብ መጽሓፍ-ቅዱስ ከም «ኦፊር» ዝጥቀስ ቦታ፡ ኣብ ሞንጎ ወሽመጥ-ሶፋላ ን/ እቲ ግርማ ዝመልእ ምስጢራዊ ፆናታት ዚምባብወን/ ከም ዝርከብ ይኣምን።

ከምኡ እንተዝኸውን፡ ግዝኣት-ሳባውያን እውን ምናልባት ክሳብ እብቲ ቦታ ስለ ዘስፋሕፍሐን፡ እቲ ኣብ መጽሓፍ-ቅዱስ ብዛዕባ «...ምምላስ መራኽብ ሒራም ካብ ኦፊር...» ዝብል ጥቕሲ፡ ምስቲ እተፈልጠ ኣመጻጽኣ ንግስቲ-ሳባ፡ ሓደ ዝመሳሰል ፍጻሜ ምኳኑ ብቐሊሉ ክርዳእ ምተኻእለ።

ዘልኣለማዊ ሕሽኹሽኹ እናቐጸለ፡ ንጹህ-ዝሑልን ማያቱ'ኳ ዘውሕዝ እንተኾነ፡ ምናልባት ኣብ እዋኑ ነቲ ሎሚ ባዲሙ ዝርከብ ዱር ብምሉኡ፡ ብማያቱ ዝሸፍኖ ዝነበረ ይመስል።

ብኣስመራ ንዝመጽእ፡ ልክዕ ኣብ በረኽቲ ናይቲ ክልተ-ሩባ ፈለግ መረብ እትስግረሉ ነቑጣ (ኣብ ትሕቲ ድባርዋ እትርከብ ጸባብ መተሓላለፊት) ንብኹላ ዘኽድናን-ዘጽልላን ግዙፍ እም-ዳዕሮ ይርከብ። መን እዩ'ሞ ካብቶም ንኤርትራ ዝበጽሑ፡ ነቲ ምውቕን-ተቐባል ጋሻ ዝኾነን ጽላል ናይዚ ግርማ-ዝመልኦ እም ዳዕሮ ብናፍቖት ዘይዝክር ? ልክዕ ከም ሽማግለ-ዓበይና ንዝደኸሙን- ብመገሻ እተኻእሉን ደቅ-ደቃ ተጸናንዕ-እትምዕድን፡ እዚ እም'ዚ እውን ኣብ ከፍለ-ዘመናት እተኻየዱ ምስጢራት ስለ ዝፈልጥ፡ ብዛዕባእም ዘማኽር ይመስል።

ንጹህ-ማይ ኣብ ስራውሩ ጨረቕ እናበለ፡ ኣብቲ በረኽ-ብርኩትን ጨናፍሩ ድማ ንዘዚ-ዘገዳም "ዚዝ" እናበሉ ንትኻስ- ጥሉቕ ሓሳብን ዘይንጸጉ ዕድመ እዮም።

ኣነ'ውን ብወኸይ ሓደ-መዓልቲ ጭፍራ-ዓስከረይ ኣኸቲለ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዓሪፈ እየ። ከም ልምዲ ናይዚ ሃገር ድማ፡ ኣብቲ እዋን ተጸዋዒ ናይዚ ቦታ ዝነበረ "ኣይተ-ዓረዶም" ሰዓብቱ ኣኸቲሉ፡ ማሕስእ- ጸባን ሒዙ ገጸ-በረኸቱ ኣቕረበልና።

ሎሚ ይቕጽል ምህላው ድኣ ኣይፈልጥን እምበር ኣብቲ መጀመርያ እዋናት ምምሕዳርና (ምምሕዳር ኢጣልያ) ንቶም ፈለማዮም ንኣፍሪቃ ይለኣኹ ዝነበሩ ደቅ-ሃገርና(ጣልያን)፡ ብዛዕባ ተእምራውያን-ምስጢራት ኣፍሪቃ እናኣእመንካ ምጭራቕ፡ ልሙድ እዩ ዝነበረ። ንኣብነት ኣብ "ሓይሰት" ጸውቲ-ሉተርያ ዘዋድቕ ድንኳን ከም ዝርከቦን፡ ከምኡ'ውን ኣብ "ጽዓቲ" ክልተ ደቀ'ባት ብእተፈላለየ ድምጺ ምሉእ-ለይቲ እናተባራረዩ ይግዕርዎ ንዝነበሩ መዝሙር፡ ጸሉት እስላም እዩ እናበልካ ምእማን ኩነ፡ ካልእ ተመሳሳሊ ሰገጃን ልምድን ነይሩ እዩ።

ብዛዕባ ኣብ ድባርዋ ኣሎ ዝበሃል ህዝባዊ ቤት-ንባብ (ቢብሊዮተካ-ላይብረሪ) እውን ተመሳሳሊ ኣሽካዕላል እዩ ዝነበረ። ምኽንያቱ ብግብርስ፡ "ህዝባዊ ቤት-ንባብ ድባርዋ" ክበሃል እንክሎ፡ እቲ ያታኡን-ባህሉን ዓቲቡ ዝኸረታቱ መወዳእታ ዘይርከቦ ናይቲ ዓዲ ዳኛ "ኣይተ-ዓረዶም" ባዕሉ እዩ ዝነበረ።

ብዛዕባ ቤት-ንባብ ድባርዋ ክዋጋዓኒ ብዝሓተትክዎ፡ ኣይተ-ዓረዶም ኢሒሕ... ኢሉ ብናፍቖት ፍሽኽታን ኣስተንቲኑ፡ ብዓሚቑ እስትንፋስ ዘረባኡ ጀመረ።

ከተማ ድባርዋ ከምዝ'ሉም ከይኮነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ብሉጽ እዋናቱስ፡ ብሓቂ ቤት-ንባብ ዝነበሮ እዩ።

እቲ ኣብ ክንዲ ኢውሮጳውያን ካቶሊክ ሓልዩ ብትብዓት እተኸላኸለ ባሕረ-ነጋሲ ብንጉሰ-ነገስት ምስ ተሳዕረ፡ ቤት-ንባብ ድባርዋ ፈጺሙ ተደምሰሰ።

እቶም ብጥንቃቐ ሓለዋ ተገይሩሎም ኣብ ቤት-መቕደስ ናይዚ ዓዲ ተዓቂቦም ዝጸንሑ እዝዮም ጥንታውያን ዝኾኑ መጽሓፍትን-መዘክራትን ግና፡ ምድሓኖም ተኻኢሉ ነበረ። ኣብቲ ቀጺሉ ራእሲ-ባርያው ድባርዋ ወሪሩ ዘካየዶ ራሲያታት ድኣ፡ እዚ ክቡር ንብረት'ዚ ፈጺሙ ጠፍአ።

ራእሲ-ባርያው፡ ንራእሲ-ወለንኪኤል ክንጥሞ ብንጉስ ዮሃንስ ተላኢኹ ብ 1878 ዓ.ም. ኣብ ከባቢ "ኮምብሽታቶ" እናተዋግአ ኣብ ከተማ-ኣስመራ እዩ ተቐቲሉ።

ንሱ ብዝሞተ፡ ራእሲ-ኣሉላ ነቲ ተልእኮ ከማልእ እንደገና ተላኢኩ'ሞ፡ ብኸድዓት ድማ ክዕወት ክኢሉ። ከምዚ'ሉ 'ክስ ዓለም ዓለም ምኽና ካብ 'ትፍለጥ፡ ንመጀመርያ ጊዜ መረብ/ምላሽ ብምሉኡ ኣብ ትሕቲ ምልኪ ትግራይ ኣተወ።

ኣብዚ ፍጻሜታት'ዚ ድማ፡ ከተማ ድባርዋ ዳርጋ ብኹላ እያ ዓንያ።

ምስ ኣይተ-ዓረዶም ድኣ ኣብ ዘድልየኒ ኣርእስቲ ምምላስ፡ ኣብ'ቶም ጠፊኦም ዝተረፉ መጽሓፍቲ-መዘክራትን፡ ገለ'ዶኾን ንታሪኽ ንግስቲ-ማኬዳ ወይ ኣዜብ ዝምልከቱ ኣይምነበሩን? ቢለ ብዝሓተትክኑ፥ «ብርግጽ ድኣ ኣይፍለጥን እምበር፡ ኣገዳሲ ጉዳይ ከም ምኻኑ መጠንሲ ናይ ግድን ነይሮም» ዝብል መልሲ ተዋህበኒ። ሕቶይ እናቐጸልኩ፥ «ዋእ! ከምቲ ብልክው ዘልዓ-ልኩምዎስ ኣገዳሲ ኣርእስቲ ከም ምኻኑ መጠን፡ ካብ ወላዲ ንውሉድ ብኣፍ ዝመሓላለፍ ዛንታ ዝፈልጡ ሰባትሲ፡ ኣይምተሳእኑን ግዲ ?» ቢለ ናብ ዘረባይ ዓደምክዎም። «ብርግጽ'ምበር፡ ብርግጽ» ኢሎም ብዝመለሱ፡ ኣጥቢቐ እንደገና፥ «እሞ ድኣ ብ ማሕበራዊ-ደረጃኹም ኮነ/ ብዝተዓደልኩምዎ ኣእምሮ፡ ነዚ ኣብ ርሑቕ ዘመናት እተኻየደ ፍጻሜ ካባኹም ንላዕሊ እተረድኦ ሰብ ኣይህሉን'ሞ ኣነ ድማ ብወኸይ ፈታው ጥንታዊ-ታሪኽ ብምኻነይ ድኻምኩም ከይጸብ-ጸብኩም እዚ ንዛገርኩም ኣገዳሲ ዝኾነ ዛንታ እንዶ ግለጹለይ ?» ኢለ ኣብ ቅውም-ነገረይ ብዝሰመርኩ፡ ልክዕ ከምቲ ኣባና'ውን(ኣብ ኢጣልያ)ዓበይቲ ሰባት ብዛዕባ'ቲ ብኣፍ ዝመሓላለፍ ዝና/ዛንታ-ጀጋኑን ከዘንትው ተሓቲቶም ዝሕዝዎ ኣገባብ፡ ኣይተ-ዓረዶም እውን ንዓኦም መሰሉ።

ኩሉም'ቶም ከምዚ ከማይ መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ከም ዝፈልጥዎ፡ እዚ እንባብ'ዚ ኑቲ ብውሽጢ ዝእመን ነገራት፡ ጥርጣረ ከም ዘለካ ኣምሲልካ ብቀልዓለም-ፍሽኽታ-ምስምስ-እናሓወስካ ምቕራብ፡ ኣብ ዝኾነ ሃገር ሓደ ተምሳል ከም ዘለዎ ኣይስሕትዎን። እዚ ተመሳሳልነት እዚ ድማ ብቃል-ዘረባ እንኪግለጽ፡ ለውጢ ከይተገብረሉ ከምዚ'ሉ ይደጋገም፥ «..እዚ ነገራት'ዝስ እንስትን-ቈልዑን-ዓበይቲ ሊቃውንትን እንተዘይኩይኑ፡ ኣነስ ኣይኣምኖሉን። ኩይኑ ግን፡ ከም ወዮ " ሓዊ እንተዘይነድድሲ ትኪ ኣይምተኸሸን " እተባህለ፡ ኣብ መሰረቱስ ሓቂ እይሰእኖን። ደለይቲ ካብ ኩንኩም ድማ፡ ከይወሰኽኩ-ከይነከኹ ከምቲ እተባህለኒ ገይረ ከዘንትወልኩም...» እዩ እቲ እንባብ። ዛንታእም ብዝጀመሩ ድማ፡ እየቋርጹን ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ኣብ መወዳእታኡስ ካብ ሰቦም ንላዕሊ ንሶም ከም ዝእምንሉ ይርድኣካ።

ኣብዚ ፍሉይ ኢጋጣሚ ድማ እይተ-ዓረዶም ብተመሳሳሊ እንባብ ዛንታኡ እንኪገልጽ፡ ማያት ፈለግ-መረብ ጨቕቕ ኣብ ዝብልሉ ቦታን- ኣብ ጥቓና ዝርከብ ጉልቡት እም-ዳዕሮ ዝዓሰሉ ንህቢ ብድምጾም እናሰነዩናን ኢና ዝርርብና ጀሚርና።

ዛንታ እይተ-ዓረዶም ድማ፡ ከምዚ እዩ ዝነበረ፥

« ኣብቲ እዋን'ቲ ትግራይ፡ እትማን ብዝኾኑ ስርወ-ኢጋንንቲ እዩ ተዝኢኡ ዝነበረ። ንጉሶም ድማ ኣብ ግዚፍ እም-ዳዕሮ ዝሰፈረ፡ ታኣመን (ተመን ?) እተባህለ ግዚፍ ገበል እዩ ነይሩ።

እዚ እራዊት'ዚ ንዝመለኹዎም ህዝብታት፡ ጾታ እንከይፈለየ ቦኽር-ውላዶም ንመስዋእቲ ከወፍይሉ የገድዶም ብምንባሩ፡ ራዕዲ እዩ ኩይንዎም ዝነበረ። ናይ ዝፋን "ብላታ-ንጊታ" ተባሂሉ ኑቲ ንጉስ-ገበል ዘገልግል ዝነበረ ድማ፡ ገሊኦም ኢጋብዎስ ወድ-መስፍንቶ እዩ ዝነበረ ይብሉ። ገሊእም ድማ፡ የለን ደብረጽዮን እዩ ነይሩ ስሙ ዝብሉ'ውን እለው።

እስማቶም ብዘየገድስ ግና፡ ሓዲኦም፡ ኑቲ ጽዩፍ-ንጉስ እትውፈየሉ ዕድመእ ዝኣኸለ ሓንቲ-ጓል ንውልቃ ነበረቶ። ኩይኑ ከኣ፡ ብዓቢ ሓዘን ቤተ-ሰባን ርህራሄ ተዓዘብትን፡ እቲ ወትሩ ኣብ ዝለዓለ-ጫፍ ናይቲ ጽዑቕ ጨናፍር ዝሰፈረ ገበል ወሪዱ ከውሕጣ ንማለት፡ ኣብ ጉንድ'ቲ ርጉም-እም ተእሰረት። ሕያወይቲ-ፍጥረት ብስንባድ ተዋሒጣ ከምእይላ ንመስዋእቲ ናይቲ እከይ ተወፍያ ዕድላ እናተጸበየት፡ ተምሳል ጽቡቓት እንባዝ ዝለበሱ ትሽዓተ-መልእኽቲ ካብ ሰማይ ወሪዶም ከጸናንዕዋን-ኩተባብዕዋን፡ ኣብ ጨናፍር ናይቲ እም ዓሰሉ።

ንሳ ግን ስልጣን ናይቲ ከረድእ ዝመጸ ሓይሊ ስለ ዘይተረድኣ፡ ብትሕትና-ሕያውነትን ንሶም-'ውን ከምኣ ግዳያት ናይቲ ገበል ከይኩኑን/ ከምኡ'ውን ኣብ ቤተ-ሰባን ኣብቲ ዓዲ ብምሉኡን ከወርድ ካብ ዝኽእል ዝበኣሰ ሓደጋ ንምድሓን፡ ንሳ ጽሕፍቲ ከም ዝኾነት፡ ንሶም ግን ክርሕቁ ከም ዝግባእ ትገልጸሎም ነበረት። እዚ እናተባህሉ ግና፡ ወዮ እከይ-ትርኢት ደፋእ ኢሉ ኣብቲ ጨናፍር እናተጠቕለለ...እናተጠቕለለ...ኣፉ ሃህ ኣቢሉ ከውሕጣ፡ ናብኣ ገጹ የምርሕ ነበረ። እቶም መልእኽቲ ግን ከይፈርሑ ብትብዓት መኪቶም ገጠምዎ። ሰዓርዎ'ውን። ብድሕር'ዚ ድማ(ኣንባቢ ድሮ ተገንዚብዎ ከም ዘሎ) ብትሽዓቲኦም መልእኽቲ ነዛ «እዜብ» እተባህለት መንእሰይ ካብ ማእሰርታ ለቒቖም፡ ብድሙቕ መብራህቲ ተሰንዮም ንሰማይ ገጾም ዓረጉ።

እዜብ ተደናጊጻ ንቕድም እምላኽ እመስጊናት። ምስ ቤተ-ሰባ ክትራኸብ ብታህዋኽ ተሃንጥያ ካብቲ እም-ዳዕሮ ክትወርድ እንከላ ግና፡ ጽቡቓት ኣእጋራ ኣብ ክንዲ ኣብ ባይታ፡ ሓንቲእን ኣብ ደም ናይቲ እከይ-ተመን ረገጸት'ሞ፡ ብኡንብኡ ኣብ ሸኾና-እድጊ ተቐየረት።

ቤተ-ሰባ ድኣ፡ በቲ ዝኾነ ታእምራት ስለ ዘይኣመኑን- ወዮ እከይ " ተኣመን " እንደገና ተመሊሱ ዝበኣሰ ሕነ ከይፈዲ ፈሪሖምን፡ ንወያ ተካሊት ህጻን እንደገና ኣብታ ናይ መስዋእቲ-ቦታ መለስዋ። እብዚ ብዝዘጽሑ ግና፡ ኑቲ ዝኾነ ሓቂ ተኣመንሉን- እድንቕዎን ድማ።

እዚ ዕውት ዛንታ፡ ካብኡ ናብኡ ኣብ መላእ'ቲ ዓዲ ተሰምዐ'ሞ፡ እቲ ህዝቢ ከኣ ካብ ፈቖዶኡ፡ ኣብቲ እዚ ተእምራት'ዚ እተኻየደሉ ቦታን- ኣብ ቤት ናይታ እምላኽ ስለ ዝመረጸ መላእኽቱ ልኢኹ፡ ካብቲ ጋኔን "ንጉስ-እርወ" ዘላቐቐቶም ብርኽቲ፡ "ንግስቲ-እዜብ...ንግስቲ-እዜብ" እናበለ ወሓዘ። እዚ ከብር'ዚ ብፍቓድ እምላኽ እዩ ዝኾነ እውን ተባሂለ።

ንግስቲ-ኣዜብ ዝገዝኣትሉ እዋናት፡ ብብልጽግናኡ ይዝከር። ዕድመእ ንመርዓ ብዝኣኸለ ግና፡ እታ ደም-ገበል ረጊጻ "ሸኾና-እድጊ" ዝኾነት እግራ፡ እየቕሰነታን።

እንስተይቲ- እንስተይቲ ከም ምዃና መጠን ድማ፡ እዜብ እውን ትዕቢት ሓዲርዋ፡ ካብ ዝወረዳ ጸገም ክትላቐቕ፡ ንኩሉም'ቶም ኣብ ሃገራ እለው ዝበሃሉ ሊቃውንቲ በጽሓቶም። ካብ ጸገማ ግን ዘገላግላ እይረኸበትን።

ድሮ ኣብቲ እዋን'ቲ ግና፡ ካብ የሩሳሊም ኣሳጊሞም ኣብ ሃገራ ዝጸንሑ ሓደ-ሓደ እብራይስጥ ብዛዕባ ፍልጠት-ሊቕነትን ናይቲ ሰሎሞን እተባህለ ንጉሶም እዘንተውላ እሞ፡ ካብ ጸገማ ዘላቕቓ፡ ንሱ ንውልቁ ከም ዝኾነ እናገለጹ፡ ንየሩሳሊም ኩተልዕል ይምዕድዋ ነበሩ።

በዚ ምኽር'ዚ ተተባቢዓ እያ እታ ንግስቲ ንሓደ-ሰብ'ኳ ከየካፈለት፡ ምስታ እትኣምና ኣገል-ጋሊታ ልብሲ-ሰብኣይ ለቢሰን ብምስጢር ንሃገር-ፍልስጠም ተበጊሳ። ኣብ የሩሳሌም ብዝበጽሐት ድማ፡ ኣብ ቅድሚ ሰሎሞን ቀረበት'ሞ፡ እቲ ንጉስ ብሉ ንብሉ እንታይነታ ተረዲኡ፡ ካብ ሕማማ ኣገላገላ። ንመዓርግ-ደረጃኣን ብዝበቅዕ ክብሪ ድማ፡ ኣብ ንጉሳዊ-ኣዳራሹ ኣሕደራ።

ኣዚብን-ኣገልጋሊታን፡ ኣብ ግምቢ ንጉስ-እስራኤል ውሑድ ጊዜ ድኣ ይጽናሓ'ምበር፡ እቲ ንጓኡ እተዓደለ ዕብየት-ፍልጠትን ንምግንዛብሲ፡ ኣኻሊ እዩ ዝነበረ። በዚ'ውን ክልቲኣን ኣንስትዮ ኣብ ልዕሊ ንጉስ-እስራኤል፡ ዓቢ ኣድንቖት ኣሕደራ። ንሱ'ውን ብግደኡ፡ እቲ ግርማ ዝመልኦ ኢትዮጵያዊ-መልክዕ ዘወፈየሉ ህያባት፡ ብዓቢ ደስታ ተቐበሎ።

ካብ የሩሳሌም ንሃገረን ክምለሳ እንከለዋ ግና፡ ምልክት ናይ ዝነበረ ኣድንቖት-ፍታውን፡ ኣብ ክልቲኣን ድሙቕ ኣሰራቱ ኣትረፉ፡ ክልቲኣን ነፍሰ-ጾር እየን ዝነበራ።

እታ ንግስቲ ኣብ ከባቢ "ጸዕዳ-ክርስትያን" እተባህለ ቁሸት ብዝበጽሐት፡ ብሕርሲ ካብ "ምንሊክ" ተገላገለት። ከምዚ'ሉ ድማ እቲ ኣብዚ ሃገር'ዚ ኣሽሓት ዓመታት ግዚኡ ዝጸንሐ ስርወ-ነገስታት፡ ምንሊክ እዩ መስራቲኡ።

ስዒባ እታ ኣገልጋሊት እውን ወዲ ወለደት። ዘርኢ ናይዚ ውላድ'ዚ እዩ ድማ ንትዎም ብሓፈሻኡ ኣብ ምሉእ እዚ ዞባ'ዚ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ዘስፋሕፈሐ ናይ ኣገልገልቲ ዝበሃል ወለዶ ዝፈረየ።

ምንሊክ ኣብ ኣኼሉም ኣቦኡ መን ምዃኑ እንክይፈለጠ፡ኣብ ትሕቲ ሓለዋ-ክንክን ኣዲኡ ይነብር ነበረ። ኣቦኡ ብዘይምፍላጡ ግና፡ መንእሰያት መሰታኡ ይጩርቁሉን-የሽካዕልሉን ነበሩ። ካብ ዕለታት ሓደ-መዓልቲ ግና ወዮም መናእስቱ ብጸብለልትነቱ ቅንኢ ሓዲሮም ከም ኣመሉ ም፥ «ኣቦኡ ምስ ዘይፈልጥ ቈልዓ ኣይንጻወትን» ብዝበልዎ፡ ምንሊክ ኣስተማሲሉ እናንብዐ ናብ ወላዲቱ ከደ'ሞ፡ ምስጢር-ትውልዱ ክትገልጸሉ ሓተታ።

እታ ንግስቲ፡ ንነዊሕ-መገሻ ዝኣክል ስንቅን-ናውትን ኣዳልያ፡ ኣብታ ዝነቕለላ መዓልቲ፡ መስትያትን/ ካብ ኣጻብዕቲ-ኢዳ ዘይፈለየታ ካትም-ሕድርን ኣረኪባ፡ ብከምዚ ዝሰዕብ ተፋነወቶ፥ « ወደየ ንየሩሳሌም ተበገስ። ኣቦኻ ኣብኡ ይነብር'ሞ፡ ኣናዲኻ ክትረኽቦ ኢኻ። ኣብዚ መስትያት መልክዕካ ተመልከት'ሞ፡ ብልክዕ ንዓኻ ዝመስል ሰብኣይ ምስ ዝገጠመካ ኣቦኻ ምዃኑ ኣላልዮ። ብድሕር'ዚ ድማ እዛ ቃልቤት ኣመልክተሉ፡ ንሱ'ውን ውላዱ ምዃንካ ክፈልጠካ እዩ»።

ርዱእ ከም ዝኾነ፡ እቲ ንምንሊክ ብልክዕ ክመስል እተባህለ ሰብኣይ፡ ሰሎሞን እዩ ዝነበረ። ኰይኑ ድማ እቲ ንጉስ፡ ብመልክዑን ብታ ነዲኡ ኣብ የሩሳሊም ክም መዘከርታ ዝኣሰረላ ቃልቤትን፡ ንውላዱ ኣላለዮ። ብድሕርዚ ከኣ ብክልሰ-ሓሳብን/ግብርን፡ ዝመለኾ ፍልጠት ከመሓላልፈሉ ንግለት፡ ኣብቲ ዝነብረሉ ግምቢ ንውሑድ-ዓመታት ምሳኡ ኣጽንሖ።

ናይ ትምህርቲ እዋናት ኣብቂዑ ግዝኣቱ ክመሓድር ንግለት፡ ሰሎሞን፡ ብክቡር ህያባትን/ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን/ መራሕቲ ናይቶም 12 ነገድ-እስራኤል እተባህሉ ሹማምንትን/ ኣሰንዩ፡ ነቲ ጎበዝ ናብ ኣዲኡ መለሶ።

ብዘይካ ፍቓድ ኣቦኡ ድማ ምንሊክ፡ መርከብ-ኖህ/ ቀጸላ ሕግታት-ሙሴን/ ምሳኡ ተማልአ። እዚኣም ከኣ፡ ዝኾነ ሰብኣዊ-ዓቕሚ-ጉልበትን ክረኽቦም ኣብ ዘይክእል ቦታ፡ ኣብ ትሕቲ መዓሙቕ-መሬት ቤተ ክርስትያን ኣኼሉም ተደቢቆም ይርከቡ»።

ኣይተ-ዓረዶም ዛንታኡ እናደምደመ፥ «...ታሪኽ ናይ'ቲ ክሳብ መፋርቕ ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ዝገዝአ ስርወ-ንግስነት ንጉሰ-ነገስት ዘኢትዮጵያ እዚ እዩ» ይብል።

ኣብ መወዳእታ ድማ፥ «...እቲ ሃገር፡ ካብ ኣምልኾተ-ጣኦት ምስ ተናገፈ፡ እምነት ኣሃዱ-ኣምላክ ተቐቢሉ፡ ብዝልጽግናን-ዕብየትን ግዝኣቱ ብምዕራብ፡ ክሳብ ፈለግ-ኒል/ ብደቡብ፡ ክሳብ ዓዚ-ባሕሪ/ ብምብራቕ ድማ፡ ክሳብ ሃገር-ዓረብ/ ክስፋሕ ከኣለ...» እናበለ ኣይተ-ዓረዶም፡ ርእሱ ኣብ ኣፍ-ልቡ ኣድኒኑ፡ ዓሂ ኣብ እተሓወሶ ክቢድ ምስትንታን ኣተወ። ኣብዚ ከኣ ተረዲእክምን፡ ኣኽቢርክምን ድማ።

ኣይተ-ዓረዶም ካብዚ ጥሉቕ-ሓሳብ ብዝተበራበረ፡ ኣብ ካልእ ኣርእስቲ ኣግለስና።

ቅድም'ዚ ብኣይተ-ዓረዶም በዓል ድባርዋ ዝቐረበለይ "ዝና ንግስቲ ሳባ" ምድምዳመይ፡ ኣይተ ጉፎ ወድ ደንግሽ በዓል መርሓኖ ብዛዕባ እዚ ዛንታ'ዚ እንታይ ከም ዝብሉ'ውን ንተዓዘብ። እዞም ሽማግለ ሰብኣይ ዘቕርብዎ ዛንታ፡ ተመሳሳሊ ድኣ ይኹን'ምበር፡ ኣብ መወዳእታኡ ፍልይ ዝበሉ ፍጻሜታት ብፍሉይ ኣገባብ ስለ ዘቕርቡ እዩ ርእይቶኦም'ውን ምጥቃሱ ኣድላዪ ዝኾነን።

ኣይተ ጉፎ ከም ዝገልጽዎ፡ ምንሊክ ካብ የሩሳሌም ንሃገሩ ክምለስ እንከሎ፡ ሽድሽተ ደቅ-ያቆብ እዮም ኣሰንዮምዎ። ዝተረፉ ሽድሽተ ደቂ ግና፡ ኣብ ሃገር-ፍልስጠም ኣብ ቤት-ኣቦኦም እዮም

ተሪፎም። እቶም ንምንሊከ ዓጂቦም ንኢትዮጵያ ዝመጹ ደቅ-ያቆብ ድማ፥ ይሁዳ- ለዊ-ሚናብ- ሮቤል- ዮሴፍ- ስምኦን- እዮም ዝነበሩ። መስፍን-ገረሚ-ዛውል(ሳውል) እተባህሉ ሰለስተ ካብ ደቂ ለዊ፡ ኣብ ሓማሴን እዮም ጸኒሖም። ዝተረፉ ግና፡ ንምንሊከ ክሳብ እኽሱም ኣሰንዮም፡ ብኸኤው ተከዘ'ውን ኢትዮጵያ ንምውራር ምሳኡ እዮም ሰጊሮም።

"ነገደ-ካም" ንዝኾኑ ህዝብታት ሰዒሮም ብዝመለኾዎም ድማ፡መብዛሕትኦም ደቅ-ያቆብ ንመረብ ምላሽ እዮም ተመሊሶም። ገሊኦም ድማ ምስ ምንሊከ ኣብ ትግራይ ጸንሑ።

ኣይተ-ጉፎ ደጋጊሞም ከም ዝጠቐስዎ፡ ባርያ-ባዛ-ኣገው-ጋላ...ኩታ ኣፍሪቃውያን ብኹሎም ግብጺ እውን ከይተረፉ፡ ቅድሚ ምምጻእ ኣቦምት፡ ብኹሎም ደቅ-ካም እዮም ዝነበሩ። ስለዚ እዮም ድማ ተወላዶ ናይዚ ዞባ ንሓማሴን ኩነ ኣከለ-ጉዛይ፡ ብናይ ሓባር-መጸዋዕታ ከም ደቅ-ያቆብ ዝፈልጥዎም። ደቃ-ሚናብ እውን ይበሃሉ እዮም።

ብኸምዚ ድማ፡ ብዙሓት ኣብ ሓማሴን ዝርከቡ ዓድታት፡ ከም ንኣብነት ዛውል- ገረሚ- መበ-ቆሎም ካብ ኣዝዩ ጥንታዊ-ዘመናት ይጽብጽብዎ። ኩሎም ድማ ብዝኣመሰለ ጥንታዊ-መበቆል ሰለ ዝሕበኑ፡ ንቶም ከም ናቶም ዝመስል ፖሊቲካዊ ምውህሃድ ይኹን- ተመሳሳልነት ዘይብሎም ካልኦት ህዝብታት፡ ብምስትንዓቕ ይሓልፍዎም።

2ይ- ምልክታ

ካብ 1255 ዓ.ም.- ሕጋዊ-ስርወ ዳግመ ዝነገሰሉ/ ክሳብ ሞት ዮሃንስ-4ይ(10 መጋቢት 1889) ዝቐርብ ተኸታታሊ ጸብጻብ ታሪኽ ኢትዮጵያ።

ብመሰረት ናይቲ ኣብዚ ዞባ ዝዝውተር ባህሊ ኩነ/ ብዝመስሎ ታሪኻዊ ገለጻኡ፡ እቲ ካብ ኣዝዩ ጥንታዊ-እዋናት እትሒዙ ብሰማውያን ህዝቢ-ግእዝ ኣብ«ምብራቕ-ኣፍሪቃ» እተመስረተ ንግስነት፡ ቅድም'ቲ ንጉስ-ሰሎሞን ዝነበረሉ እዋናት(1015-975 ዓ.ም.-ቅ.ል.ክ.)እዩ ዕድ-መኡ። ኣብ መጀመርያ እዋናት 6ይ ክፍለ-ዘመን ናይ ዘለናዮ መዋእል ድማ፡ ዝዓበየ ሓይሊ-ስፍሓቱን ደለበ።

ግዝኣት ናይዚ ንግስነት'ዚ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ ወሸመጥ በረኺቶ-ሶፋላን/ ኣብ ሞንጎ ኒል ጸዕዳ-ቀይሕ ባሕርን ዝርከብ መሬታት እዩ ዘጠቓልል ነይሩ። ብኸኡ ድማ፡ ኣመሓዳሪ እቐሙ ኣብ የመን ከይተረፈ ይገዝእ ነበረ።

ርእሰ-ከተማ ናይዚ ሓያል ንግስነት ኣኽሱም ኮይኑ፡ ንከንድዚ ዝኣክል ህዝቢ-ሃገርን ዘመሓድር ዝነበረ ዓሌት ድማ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ መረብ-ኣጥባራ/ ሰዋኪን-ሓንፈላ፡ ሰፊሩ ነቲ ንግስነት እውን ዝመስረተ፡ ናይ ግእዝ ነገድ እዩ።

ከም ሳዕቤን ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት-እስላም፡ ደቡብ ዓረብን/ኣብ ገማግም ባሕርን-እግሪ ኣኸራ-ናት-ከበሳን ዝርከቡ ዓድታት፡ ካብ ንግስነት-ኣኽሱም ተነጺሎም፡ዓድ-ሓበሻ ኣብቲ ብብዝሒ ክርስትያናዊ-ሃይማኖቱ ዝዓቀበ " ከበሳ " ተሓጺሩ ምስ ተረፈ እውን፡ "ኣኽሱም" እዩ ፖሊቲካውን-ሃይማኖታውን ርእሰ-ከተማ ዝነበረ።

ኣብ ሓደ ፍሉይ ታሪኻዊ-እዋን እዩ ህዝቢ-ግእዝ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት-ሓበሻ ዝነበሮ ዕብለላ ተቓሪጹ። እዚ ድማ፡ ኣብቲ መንቀሊኡ ዘይፍለጥ ውሽማዊ-ረጽምታት፡ እቲ ስልጣን ናብ ህዝብታት ሰሜን-ላስታን ሓሊፉ እዚኦም ድማ ንልዕሊ ክልተ ክፍለ-ዘመን ፈረቓን ዝኣክል ከዕትብዎ ምስ ክኣሉ እዩ ዝኾነ። -ማለት ካብ 995/ ክሳብ 1255 ዓ.ም.ዘሎ እዋን-

ምናልባት እዚ ነዊሕ-እዋን ኣብ ትሕቲ ምልኪ "ሰማውያን-ግእዝ" ተመሊኾ ዝጸንሐ ሓማዊ-ባእታ፡ ብምስፍሕፋሕ ምስልምና ተተባቢዑ(ሰማውያን-ኣግኣዚ በዚ ስለ እተዳኸሙ) እዩ ክለዓል በቒዑ። ከምኡ'ውን ምናልባት ንዓና ክርደኣና ብዘይኽእል ምኽንያት፡ ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ ሃይማኖት ዝመሰረቶም ካልኦት ሕቶታት'ውን ተመሳቒሎምዎ ይኾኑ። ብግብሪ እውን፡ ብ 995 ዓ.ም. ህዝብታት "ሰሜን" ግና ኣብ ሕግታት ሙሴ ክኣምኑ እንከለው፡ ህዝቢ-ግእዝ ድሮ ካብ ክፍለ-ዘመናት እትሒዙ ብሙሳኡ ኣብ ክርስትና እዩ ኣሚኑ ዝነበረ።

እዚ ኲዶኑ ግን፣ እቲ ልኡላዊ-ስልጣን ወትሩ ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ ኢትዮጵያ እዩ ጸኒሑ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ብዘይዳ ክንጸር ዝግቦእ ናይ ታሪኽ ሓበረታ፣ እቲ ግእዛዊ-ባእታ ብፍንው ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ሸዋ ተዓቝቡ ዝጸንሐ ነገሪ ሰሎሞናዊ-ስርወ ንኣኽሱም ጸዊሁን (መሊሱ) ብ 1255 ዓ.ም. ንዝነበረ ጥንታዊ-ስርዓት ዳግም ንምትንሳእ ዝገበሮ ፈተነ እዩ።

እቲ ጸውዒት(ጠለብ) ብንጉስ ናይቲ ስልጣን ዝዘረፈ ስርወ-ዛጔ ወይ ዛጉዊ እውን ተቐባልነት ነይርዎ እዩ። እቲ ንጉስ ኣኽሊሉ እንቢሩ፣ ናይ ተማእዛዝነት-ጽቡቕ ድልየትን ንምግላጽ፣ ነቲ ሕጋዊ ንጉስ "የኩኖ-እምላክ" ብከምኡ ዝፋን-ንግስነት ኣወፈየሉ። ጥንታዊ-ስርዓት ተመሊሱ፣ ክሳብ መፋርቕ 17 ክፍለ-ዘመን ድማ ከምኡይሉ ጸንሐ። እቶም ካብዚ ንደሓር ዝሰዓቡ ፍጻሜታት እዮም ድእ፣ ንምዝርዛር ናይቲ ንግስነት ዘንቀሉ ዋና ጠንቂ ኲዶኖም ተረኺቦም።

ኣብ መጀመርያ 16 ክፍለ-ዘመን፣ ነቶም ብድሮ ዝጸንሑ እተፈላለዩ ህዝብታት(ስለዚ'ውን ነቲ ዓድ-ሓበሻ ዝብል ንምድብላቕ-ህዝብታት ዘመልክት ዓረባዊ-ቃል፣ ሓቂ ዘብሉ) ካልእ ሓድሽ ህዝቢ ተደረቦም። እዚ ህዝብ'ዚ ድማ፣ "ህዝቢ-ጋላ" እዩ ዝነበረ።

ብዛዕባ መበቆሎም ኰነ ዝመጽሉ ቦታን፣ ንብዙሓት ፈላማት ዝበሃሉ እውን ዘከራኸረ ጉዳይ እዩ። ከመይሲ ገሊኦም፣ "ሰማውያን" እዮም ክብሉ እንከለው፣ ገሊኦም ድማ ክሳብ ኣርያኒ=(Arian) እዮም ኣብ ምባል ዝበጽሑ ኣይተሳእኑን። ግብጣን-ቸኪ ንእብነት፣ ካብ ደቡብ-ዓረብ ንኣፍሪቃ ዘሳገሙ ህዝቢ እዮም ይብል ነበረ። ሃርትማን- ባርት- እተባህሉ ካልኦት ተገደስቲ፣ ጋላ ጸሊም-ዓሌት ምዃኖም ድሕር ምጥቃስ ካብ ደቡባዊ ክፍሊ-ኣፍሪቃ ከም ዝመጹን፣ ካብቲ ቦታታት ድማ፣ ብ /ባህርያውያን-ሓደጋ/ ብውግእ ብካልእ ህዝብታት ተደፊኦም/ ወይ'ውን ብካልእ ማሕበራዊ-ሽግራት/ ከሳግሙ ተገዲዶም ዝመጹ እዮም፣ ዝብል እምነት ነሮም።

ባህሊ ህዝቢ-ጋላ፣ ነዚ ዲሕረዋይ ስርወ-ሓሳብ(Ipotesi = Hypothesis) ዘረጋግጽ ይመስል። ኣካላዊ-ቅርጾም እውን ብተወሳኺ፣ ነዚ ይድግፎ።

ህዝብታት-ጋላ ንኢትዮጵያ ዝኣተውሉ ናይ መጀመርያ እዋናት፣ ብልክዑ ምውሳን ኣይከኣልን። ምናልባት ፈለማይ-ሳግመኦም ብ ዘመነ-ቶሎመይ(ብጥሊሞሳውያን) -305-303 ዓ.ም. ቅ.ል.ክርስቶስ- እዩ ተበጊሱ። ዝፍራሕ ሓይሊ ዝደለበ ግና፣ ኣብ እዋን ንግስነት "ሃጸይ ዳዊት ሳልሳይ" (1508-1540 ዓ.ም.) እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ሓደ ክፋሎም ድሮ ኣብ ሃይማኖት ምስልምና ኣሚኑ ጸኒሑ፣ ነቲ ኣብ ሞንጎ ክርስትያን-ሓበሻን/ እስላም ንግስነት-ኣዳል/ እተላዕለ ኩናት መዝሚዙ እዩ ነቲ ኣዕናዊ-ወራራቶም ክበግስ ክኢሉ። ካብቶም ዝበኣሱ ወራራት-ጋላ ድማ፣ እቲ ብ 1545 ዓ.ም. ን "እናረያ" ዘምረሐ ወፍርን/ ሰዒቡ ድማ ኣብ እዋናት ንግስነት ሰርጸ-ድንግል (ቱርኪ ብ 1527 ዓ.ም. ባጽዕ ዝወረርሉ እዋናት) ዓድ-ሓበሻ ዝወረርሉ እዋናትን ይዝከር።

ኣብ ዓድ-ሓበሻ ብድሕር'ቲ እንጻር-እስላም እተኻየደ ውግኣት፣ ካብኡ ለጠቕ ዘይብል ውሽጣዊ ሃይማኖታዊ-ቃልሲታት እዩ ቀጺሉ። ናይዚ መበገሲ ዝኾነ ድማ፣ እቲ ከም ናይ "ካቶሊክ-እቡን" ተባሂሉ ንኢትዮጵያ እተላእከ «ኣልፎንሶ-መንደስ» ዘሳዓሎ ሃይማኖታዊ ክርክራት እዩ ዝነበረ። እዚ ድርቕና- ዘይተጻዋርነት- ዓብላልነት- ዘሳልዮ መንፈሳዊ መራሒ፣ ንዝጸንሐ ጥንታዊ-እምነታት ኣብ ምውጋድ ጥራሕ ከይተወሰነ፣ ነቲ ብሃይማኖት ካቶሊክ ቅቡል ዘይኰነ ንህዝብታት ሓበሻ ግን ክቡር ዝኾነ ልምድን-ብዓላትን-ባህልን ከውግድ ብምሕሳቡ ዓቢ ናዕብታት ስለ ዘሳዓለ፣ ሃጸይ-ፋሲሊዳስ(ፋሲል፣ 1632-1665 ዓ.ም.) ንሃይማኖት ካቶሊክ ካብ ሃገሩ ሰሪዙ፣ ሚስዮናውያን ከስጉግ ተገደደ።

"ህዝብታት-ጋላ" እዮም እንደገና በዚ ሃይማኖታዊ-ቅልውላው ዘኸተሎ ውሽጣዊ ናዕብታት ተጠቒሞም፣ ብተዋሚ-መልክዕ ኣብ ደቡብ ዝርከቡ ሰፋሕቲ መሬት ክወሩ ክኢሎም። ኣብኡ ብዝቕመ ድማ፣ ናይዚ ከምለኽሉ ዝመደቡ ሓድሽ ሃገሮም፣ ገለን ባህሊ- ገለን ቋንቋ- ገለን ሃይማኖቱ እውን ተቐበሉን-ኣመንሉን።

ሃጸይ-ፋሲሊዳስ፣ ኣብ ጥቓ'ቲ ኣብ ሓደጋ ወራር-ጋላ ዝኣተወ ደባቱ ክቕርብ ብምሕሳብ፣ ከተማ "ጐንደር" መስራቲ ነታ ልኡላዊ-ኣኽብሮት ዝጸንሓ ኣኽሱም ለቒቑ፣ ርእሰ-ከተማ ናይቲ ንግስነት ን ጐንደር ኣግዓዞ። ብዘይምስትውዓል እተወስደ ስጉምቲ !!!!!! ምኽንያቱ፣ ከም ናይዚ ሳዕቤን፣ እቲ ዝሓየለን- ካብ መላእ ኣውራጃታት ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፣ ተዋጋይ-ባህሊ ዝጸንሐ ትግራይ ተቐየመ። ከምኡ'ውን ንጉሳዊ-ስርወ ንባዕሉ፣ ተራ ናይቲ እታ ከተማ-ኣኽሱም- ን 27 ክፍለ-ዘመናት ዝኣከል ብዓወት ዝሓለፎ ታሪኽን- ንኣኡ ዝነደቐ ባህልን ብምዝንጋዑ፣ ሞራላዊ-ሓይሉ ማሰነ። እቲ ስርወ፣ ካብቲ እተወልደሉ-ንእዲ ብዝረሓቐ፣ ብኡ ንብኡ ጸዕረ-ሞት ተታሕዘ።

መራሕቲ ናይቶም ብ "ሰሜናዊ ክፍሊ መረብ" ዝርከቡ ኣውራጃታት ማለት «ባሕረ-ነጋሲታት» ምስቶም ገማግም-ባሕሪ ዝወረሩ "ቱርኪ" ዝምድናኦም እደልደሉን ብኩነታት ተገዲዶም ድማ ደፋእ እናበሉ ካብቲ ምስ ንግስነት-ኢትዮጵያ ዝጸንሖም "ፈደራላዊ" ምትእስሳር ተላቐቑ።

ትግራይ ብቲምታ፣ ሃጼያዊ-ትእዛዛት ኣብ ግብሪ የተርጉም ንዝነበረ ሓይለ-ጉልበቱ ካብ ምውፋይ ተቖጠበ።

ሸዋ፣ ኣብቲ ፍሉይነቱ ዘድሕር ብሕታዊ-ናብራኡ ተወሰነ።

ጋላ ግን፣ ብዝተራቐቐ ፖሊቲካዊ-ሜላን/ ብብረትን/ ንምሉእ'ቲ ንግስነት ክዕብልሉ፣ ጉልበቶም ኑቲ ሃጼይ ኣወፈዩ። ከምዚ'ሉ ም ድማ ንውልቆም ናይ ሓቂ ጉይቶት ናይቲ "ንግስነት" ኰይ-ኖም ተረኽቡ።

ተፈታዊ-ኣየር ሃገር እምሓራ/ ጽባቐ መልክዕ ደቀ-ኣንስትዮ ጋላ/ ትህኪት/ ኣብ ብረት ዘሕ-ደርዎ ንዕቀት/ ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ተደሚሮም ድማ ን "ሰለሞናዊ-ስርወ" ኣዳኺሞም፣ ትሕዝቶ ዘይብሉ- ኣብ ክንቲ ግዳማዊ-መልክዕ ዝምርኰስ ንግስነት ኰይኑ ክተርፍ ኰነንዎ።

ንጉሳዊ-መዝነት ብግብሪ፣ ኣብ ራእስታት- ዓበይቲ መራሕቲ- ኣመሓደርቲ ኣውራጃታት-ተመሓሳሊፈ። ካብቲ እዋን'ቲ እትሒዙ'ውን "ምርጫ" ናይቶም ነገስታት ንባዕሉ፣ በዞም ሓደስቲ-ደርቢ (እማኸርቲ ዝፋን) ክውሰን ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ዘይተርፍ፣ ዓድ-ሓበሻ ተገማምዐ።

እቶም ኣብ ሓድነት ሃይማኖት- ስርወ- ስቪላዊ ይኹን ወታሃደራዊ መሪሕነት ሰሚሮም፣ ብሰማ-ውያን-ህዝቢ ተመሓዲሮም ዝጸንሑ ናይ ሰሜን-ክፍልታት፣ ባዕለ-ምሕዳራት ኰይኖም፣ ኣብ ፍሉይ ጥቕምታቶምን-ቂምታእምን-ብሕታዊ ተስፋታቶምን- ተወሰኑ። ከምዚ'ሉም ድማ ሰዓብቲ ናይቶም ከዅም ኩነታት ዝዓብለሉ «ኰብለልቲ»(ገለን ብሥብኣዊ-ዝምባለ/ ገለን ድማ ብድፍ-ረት-ረጽምን) ኰይኖም፣ኣብ ተኸታታሊ ደማዊ-ውግእት ጸመዱ። በዚ'ውን ዓድ-ሓበሻ ፈጺሙ-ናብ "ባርባርነት" ገጹ ተመልሰ።

ኣብዚ ጸላም ዝዓብለሎ ታሪኻዊ-እዋን፣ ኣስማት ናይ ሓድ-ሓደ ውሩያት ዝበሃሉ ተዋጋእቲ እንተዘይኰይኑ፣ ካልእ ዝጥቀስ ነገር ኣይርከበን። ኣብዚ'ውን፣ እተኻየዱ ፍጻሜ- ዕለታትን-ብልክዕ ኣይተሰርዐን።

እዚ ስዒቡ ብ ጀይምስ-ብሩስ/ ሀንሪክ-ሶልት/ ኣንቶንዮ-ቸኪ/ ዝቐርብ ናይ ተወራረስ ስሌዳ ንባዕሉ፣ ዘይምቅድዳው ናይቶም ተኻይዶም ዝበሃሉ ታሪኻውያን-ፍጻሜታት ዘንጽር፣ እኹል መረዳእታ እዩ[2]። እቲ ሕንፍሽፍሽ ዝበኣሰ ግና፣ "ራእሲ ሚካኤል ስሑል" ኣክታቲሉ ንሃጼያት ዮኣስ- ዳግማይ የሃንስ- ቀቲሉ፣ ኑቲ ስም ጥራሕ እውን ሒዙ ዝጸንሐ መንግስቲ ሰሎሞናዊ ስርወ፣ ብ 1769 ዓ.ም. መፈጸምታ ምስ ዝበረሉ እዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣምሓራ፣ ኣብ ትሕቲ ምልኪ ናይቶም ብስም "ስርወ-ጉግሳ" ዝመሓደሩ ጋላ እዩ ዝነበረ።

ግዝኣት ላስታ፣ ብ "ስርወ-ዛጔ" እዩ ዝመሓደር ነይሩ። ዛጔ፣ እቲ ብ 1255 ዓ.ም. ብፍቶት ካብ ዝፋን ወሪዶም፣ ኑቲ ሕጋዊ-ስርወ ኣብ ስልጣን ንምምላስ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ንምምጓስ፣ ፍሉይ ቀዳምነት- ኣኽብሮትን ተዓቂቡሎም እዩ ጸኒሑ።

ጎጃም፣ ኣብቲ ሰፊሕ መጠዋውዮ "ፈለግ-ኣባይ" ተሓጺሩ፣ ብሒቱ እዩ ዝነብር።

ናይ ሸዋ መርእድ-ኣዝማች፣ ኑቲ ስልጣን፣ ብደረጃ ቤተ-ሰብ ዝመሓላለፍ ውርሻ ዝኑሩ፣ ነጻ ኰይኑ ይመሓደር።

መረብ/ምላሽ እውን ነጻ ኰይኑ፣ ብ መኳንንቲ እንዳ-ተሰፋጽዮን እዩ ዝመሓደር ዝነበረ።

ትግራይ፣ በቲ ተባዕ- ፖለቲከኛን ዝኾነ ራእሲ-ሚካኤል ተመሪሑ፣ ኣብ ምሉእ'ቲ ንግስነት ጸብለልትነት ንምርግጋጽ፣ ኣንጻር ጋላ መኳቱ፣ ሓድ-ሓደ እዋን ክመልኽም እውን ክኢሉ እዩ።

እዚ ሕልኽላኽ ኩነታት'ዚ፣ ብድሕሪ ሚካኤል-ስሑል እውን እንተኾነ፣ ክሳብ'ቲ «ዳግማይ ምኒልክ ንጉሰ-ሸዋ» ናይ መላእ ኢትዮጵያ «ሃጼይ» እተባህለሉ እዋናት፣ ከምኡይሉ እዩ ቀጺሉ። ዳግማይ-ምኒሊክ ብናይ ኢጣልያ ሓያል ምትሕብባር እዩ ናይ ኢትዮጵያ-ሃጼይ ምኳን በቒዑ - 03 ሕዳር 1889 ዓ.ም.-።

ኣገዳስነት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ንምስፋሕ፣ ካብ መፋርቕ ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ንነጀው ኣብ ትግራይ እተኻየዱ ፍጻሜታት ምንጻር እድላይ ስለ ዝኾነ፣ ብዛዕባ'ቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ዘመሓደርዎ መራሕቲ ትውልዳዊ(ታሪኻዊ) ጸብጻባት ስዒቦም ክቐርቡ እዮም። ኰይኑ ግን እዚ ጸብጻባት'ዚ ምሉእ ብምሉእ ክማላእ ብዘይምኽኣሉ፣ ብዙሕ ምትዕንቓፍ-ባዶታትን ይርከቦ። ጉድለት ዕለታት- ርግጽነት ዘይብሎም ፍጻሜታት እውን ኣይሰኣኑን። ብዝኾነ፣ ምስቶም ዋሕዲ

[2]- ኣነ(ደራሲ)፣ እቲ ብ ጀይምስ-ብሩስ ዝቐርብ "ምክትታል ታሪኻዊ ፍጻሜታት" እየ ተኸቲለ። ብርእይቶይ፣ ንሱ እዩ ዝያዳ ተኣማንነት ክህልዎ ዝኽእል ጸብጻብ።

ልክዕነት እውን ዘይስእናም ኣብ መረብ/ምላሽ እተኻየዱ ፍጻሜታት ንምንጽጻር-ምምዝዛንን፣ እኹላት ከይኰኑ ኣይተርፉን። ብዘይካ'ዚ'ውን እቶም ኣብ መወዳእታ እዋናት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ኰነ፣ ኣብ መጀመርያ መፋርቕ ናይ ዘለናዮ ክ.ዘመን ን ዓድ-ሓበሻ ዝበጽሑ ኤውሮጳውያን-ዳህሰስቲ፣ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ሰሜናዊ ክፍሊ ፈለግ-መረብ ዝርከቡ ዓድታት ከይተገደሱ፣ ብ"ሓላይ" እቢሎም ንትግራይ እዮም ዝሓልፉ ዝነበሩ። ምናልባት ጀደምስ-ብሩስ እዩ ንውልቁ ነዚ ልምዳዊ-መገሻ ኤውሮጳውያን መንገዲ ለዊጡ፣ ብዛዕባ'ቶም ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ ፈለግ-መረብ ዝርከቡ ዓድታት'ውን ብዙሕ ሓበረታ ክሰንቕ ክኢሉ።

ኣንቢብናዮን-ኣስተውዒልናሉን እንተንኸውን(ንኢጣልያ እዩ እቲ ወቕሳ)፣ ክንደይ መኽሰብ ዝር-ከቦ ጽሑፋት እዩ ዝነበረ።

****

ጀይምስ ብሩስ ዘቕርቦ ጸብጻብ	ዓ.ም. ካብ	ናብ
ኩን እምላክ..............	1255-	1283
ዘሎሓት መሳፍንቲ እኪታ-ቲሎም እተወራረስሉ እዋናት። ዝኸረታት ናይዚ ንገስታት'ዚ፡ እይፍለጥን።		
ዝብ-ጽዮን..............	1283-	1312
ምደ-ጽዮን..............	1312-	1342
ሰይፈ'ርዓድ..............	1342-	1370
ወዶም እስፈረ............	1370-	1380
ዊት-ዳግማይ............	1380-	1409
ተዎድሮስ................	1409-	1412
ይስሓቅ..................	1412-	1429
እንድርያስ1ይ(ዓምደጽዮን)	?	
ተ/ማርያም(ሓሳብ ንጉንያ)	1429-	1433
ድግ የሱስ..............	?	
ምደ የሱስ..............	?	
ናድ....................	1495-	1508
ዊት 3ይ................	1508-	1540
ግላውዴዎስ-አጽናፍ ሰገድ	1540-	1559
ሚናስ(አድማስ ሰገድ)...	1559-	1563
ርጸ ድንግል (መልአክ-ሰገድ)....................	1563-	1595
ዘድንግል................	1595-	1604
ያቆብ..................	1604-	1605
ሱስንዮስ(መልአክ-ሰገድ).	1605-	1632
ፋሲለደስ(ሱልጣን-ሰገድ).	1632-	1665
ዮሃንስ 1ይ(እላፍ-ሰገድ)	1665-	1680
እያሱ ቀዳማይ	1680-	1704
ተኸለሃይማኖት ቀዳማይ....	1704-	1706
ቴዎፍሎስ(ሓው እያሱ)....	1706-	1709
ዮስጦስ(ዘራፊ እዩ).....	1709-	1714
ዳዊት 4ይ(አድባር ሰገድ) ወይ እያሱ እዩ..........	1714-	1719
በካፋ..................	1719-	1729
እያሱ 2ይ(አዳም ሰገድ).	1729-	1753
ዮሓስ(ብራእሲ ሚካኤል-ስሑል እዩ ተቐቲሉ)....	1753-	1768
ዮሃንስ ዳግማይ(ሓው-በካፋ እዩ።)-ስልጣኑ 6 ወርሒ እዩ ጸኒሑ......	1769-	

ሃርትማን-ሶልት	ዓ.ም. ካብ	ናብ
የኩኖ እምላክ	1255-	1269
ወዳም አርዓድ	1269-	1284
ኩድማ አስጉድ / እስፋ አስጉድ / ሰንፋ አስጉድ	1284-	1287
ባር አስጉድ	1287-	1292
እግባ-ጽዮን	1292-	1301
ዓምደ-ጽዮን	1301-	1331
ሰይፈ'ርዓዳ	1331-	1359
ግርማ'ስፈረ	1359-	1369
ዳዊት	1369-	1401
ተዎድሮስ	1401-	1402
ይስሓቅ	1402-	1417
እንድርያስ	1417-	1424
ህዝቢ-ንዓን	1424-	1429
ዓምደ-የሱስ / በደል-ንዓን / ህዝባ-ንዓን	1429-	1434
ናዖድ(ልብና-ድንግል)	1494-	1507
ዳዊት	1507-	1539
ግላውዴዎስ	1539-	1558
ሚናስ	1558-	1562
ሰርጸ-ድንግል ምስ ያቆብ ወዱ ዘድንግል	1562-	1604
እንደገና- ያቆብ	1604-	1607
ሱስንዮስ	1607-	1632
ፋሲሊዳስ፥ ጐንደር ዝመስረተ እዩ።	1632-	1665
ዮሃንስ	1665-	1680
እያሱ ታላቅ	1680-	1699
ተኽለሃይማኖት	1699-	1706
ተዎፊሎስ	1706-	1709
ዉስጣስ	1709-	1714
ዳዊት	1714-	1719
በካፋ	1719-	1729
እያሱ ዳግማይ	1729-	1753
ዮሓስ	1753-	1760

ቸኪ-ኮስቲ ዝብልዎ	ዓ.ም. ካብ	ናብ
የኩኖ እምላክ	1255-	1265
ፋስዝልደየ / ለ-ጽዮን	1280-	1301
ዓምደ-ጽዮን	1301-	?
ሰይፈ'ርዓድ	?	
ዳዊት-ዳግማይ	?	
ተዎድሮስ 1ይ	1401-	1402
ይስሓቅ	1402-	1450
እንድርያስ	3- ወርሒ	
ናኦድ	1493-	1505
ዳዊት 3ይ	1505-	1540
ግላውዴዎስ	1540-	1559
ሚናስ	1559-	1563
ሰርጸ-ድንግል	1563-	1596
ያቆብ-ዳግማይ	1596-	1605
ሱስንዮስ	1605-	1632
ፋሲል ወይ ባሲሊዳስ	1632-	1665
ዮሃንስ 1ይ	1665-	1680
እያሱ 1ይ	1680-	1706
በካፋ	1712-	1735
እያሱ-ዳግማይ	?	
ዮሓስ	1752-	1753
ዮሃንስ 2ይ	?	

****

መሳፍንቲ(*)

****

<u>ራእሲ ሚካኤል ስሑል፥</u> ግርማ- ነዊሕ ዕድመኡን ንምርዳእ፡ ከም «ሽማግለ» ወይ «ኣረጊት-ኣንዘሳ» እውን ይፍለጥ። ብ 1688 ዓ.ም. ኣቢሉ ኣብ "ተምቤን" ካብ ትሑት ቤተ-ሰብ እዩ ተወሊዱ። ኣብ ንእስነቱ፡ ብላታ(ኣማኻሪ) ተባሂሉ ንመስፍናዊ «እንዳ-ጸዓዚጋ» እዩ ዘገልግል ዝነበረ። ኣብ ፖሊቲካዊ ናዕብታት ዓድ-ሓበሻ ህርኩት ተሳታፍነት ብዝምንባሩ፡ ኣብ ኩናት እውን ሻን'ይሉ እዩ በዓል ዓቢ ዝና ምኺን በቒዑ።

ኣብ ልዕሊ ህዝብታት-ግእዝ ብዝነበር ፍቕሩ፡ ብእዋኑ ሰዓብቲ ጠርኒፉ ኣንጻር/ ኣምሓራ/ ጋላ ንምኽታት፡ መራሒ ናይ ኩሉም ብሰሜን-ተኽዘ ዝርከቡ ዓድታት ክኸውን ክእለ።

1750 ዓ.ም.፥

ኣብ መፋርቕ ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን፡ "ሃጸይ ዳግማይ እያሱ" ንናይ ጋላ ናዕቢ ከዐግስን፡ ንተቓወምቲ ንግስነቱ ክዐድእን፡ ንሚካኤል-ስሑል ሰራዊቱ ኣኸቲቱ ንጐንደር ክለዓል ዕድመ ለኣኸሉ። ራእሲ-ሚካኤል ኣብ እተፈላለዩ ናይ ውግእ-ግጥማት፡ ኣብ ባሲታ-ዳሞት ንዝነበሩ ተቓወምቲ-ንግስነት ስዒሩ፡ ንጋላ- እስላም ፋዞግሉ ክደፍእ ምኽኣሉ፡ ኣብ ካልእ ኢጋማሚ ተጠቒሱ እዩ። ዝረኸቦ ዓወታት ግን፡ ነቲ ብድሕር ዳግማይ-እያሱ ዝፋን-ንግስነት ዝወረሰ ሃጸይ ዮኣስ ቅንእን-ጥርጣረን ኣሕደረሉ'ሞ፡ ብሕቡእ ምስ ጋላ ውዲት መኺሩ ኣንጻር ሚካኤል-ስሑል ተላዕለ።

1768 ዓ.ም.፥ ሚካኤል ነዚ ምስ ተገንዘበ፡ ብወርሒ ሚያዝያ 1768 ዓ.ም. ነቲ ሃጸይ ንማሕነቕቲ ፈሪዱ፡ ኣብ ክንዳኡ ን "ዳግማይ-ዮሃንስ" ኣብ ዝፋን ኣንበር። ዮሃንስ፡ ሓይሉ ዝደኸመ ልዕሊ 70 ዓመት ዝዕድመኡ ሽማግለ እዩ ዝነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሚካኤል እውን ንባዕሉ ልዕሊ 80 ዓመት ሽማግለ እዩ። ኩይኑ ግን፡ ብዕድመ ኩን/ ኣብ እተፈላለዩ ውግኣት ብዘጋጠሞም መውጋእቲ ከይተሰነፈ፡ በዓል ምሉእ ሓይልን-ቀልብን እዩ ዝነበረ።

ራእሲ-ቢትወደድ/ ተኽላኻሊ ንግስነት፡ ዝብል መዝነታት ጠቕሊሉ ንንጉስ-ዮሃንስ ምሳኡ ሓቢሩ ኣንጻር ጋላ ክለዓል ደፋፍኦ። ዮሃንስ ግን ብሓደ ወገን ኩናት፡ በቲ ሓደ ድማ ንሚካኤል ስለ ዝፈርሖ፡ ነቲ መደብ እተሰማምዓሉ ከመስል፡ እብቲ ዓውደ-ውግእ ብድሕሪት ተኸሪሉ ንሚካኤል ዝቐትሉ ነፍጠይና ኣሰሊኹ ኣብ ዓውደ-ውግእ ኣተወ። እቲ ብድሕሪት እተፈተነ ተኹሲ ግን ዕላማኡ ምስ ሰሓተ፡ ሚካኤል ነቲ ኣንጻሩ እተፈጸመ እከይ ሕንኡ ክፈዲ፡ ንዮሃንስ ብስሚ ኣመሪዙ ኣቕተሎ።

ከምዚ'ሉ ድማ ንግስነት-ዮሃንስ፡ 6 ወርሒ እዩ ኣገልጊሉ። ሚካኤል እዩ'ውን እንደገና፡ ወራሲ ዝፋን ኣቦኡ ክኸውን፡ ንወድ-ዮሃንስ ሰየሚኡ። እዚ ከም "ተኸለሃይማኖት" ዝፍለጥ ሃጸይ፡

(*) እዞም ብድሕር-ምዕናው «ሕጋዊ-ስርወ» ኣብ እተፈላለየ ቦታ ናይቲ ንግስነት ዝገዝኡ "ዕድሎም ንቕድመእም" ዝበሃሉ ማእሪራን-መራሕቲ፡ ኣብ ታሪኽ-ኢትዮጵያ፡ ብስም መሳፍንቲ ወይ ዲያኑ ይፍለጡ። እዚ ንጥንታውያን ዲያን-እስራኤል ዘኸኽር ስም እተዋህበ ድማ፡ ብህዝብታት ናይቶም ጥንታውያን ዝበሃሉ ኣውራጃታት ዓድ-ሓበሻ እዩ።

እዞም ህዝብታት እዚኣም፡ ኣንጻር'ቶም ተጻባእቲ-ጸላእትን እተባህሉ ኣውራጃታት ንምምካት እዮም ድማ ነዞም "መሳፍንቲ" ከም ወኪላቶምን-ተጣበቕቲ ጥቕምታቶምን፡ ተኸተልቶም ምኺን ዝመረጹ። እዚ ምርጫ'ዚ ግን፡ ካልእ ዕላማ'ውን ዘግልእ እዩ ነይሩ። ኣብ ስርዓተ-ሕጊ ዓድ-ሓበሻ፡ እቲ ንሕጊ-ገበናት(Penale) ዝምልከት ክፍሊ ኩን/ ኣብ ሞንን እተፈላለየ መበቆል ዘለዎም ዓድታት-ጉልታትን፡ ክለዓሉ ንዝኽእሉ ነገር ወይ ሞጐት ክዲ ዝምዝዝ ሓደ ልእል "ፈሪዲ-እኳል" ካብ ጥንቲ እዩ ጸኒሑ። ከም ስርዓቱ እዚ ስልጣን'ዚ፡ "ሃጸይ" ከም ኣቦ-መንበር ናይ ዝመርሖ ቤት-ፍርዲ መዝነት እዩ ዝነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ግን፡ እቲ ሃጸይ ንባዕሉ ሻሪ ወይ ወገን ናይ ሓድ-ሓደ ክፍለ-ኣውራጃታት ኩይኑ ይቐርብ ብምንባሩ፡ እቲ ህዝቢ ውሕስነት ስኢኑ እዩ ካልእ ፍትሒ ክናዲ ተገዲዱ።

እቲ ዘገርም ነገር ግና፡ ንሰለ ክብሪ ናይ ዝጸንሐ ባህሊ፡ ማንም ካብቶም ስልጣን ዝሓዙ መሳፍንቲ ብዘይካ ተድርስ፡ ዋላ'ውን እብቲ ዝለዓለ-ሓይሊ ዝደለብሉ እዋናት፡ ዘውደ-ዝፋን ምዝራፍ ሀይምድፋርም እዩ። በቶም ሃጸያት እተፈቕደ እንተዘይኮይኑ፡ ማንም ካብዞም "መሳፍንቲ" ዋላ'ውን ንማለቱ ዝኾኑ ዓይነት ሽመት ብንብሱ እተሸመ ኣይርከብን። ወብ እውን እንተኾነ፡ ሰራዊቱ ድኣ "ንጉስ" ኢሉም ይስመዩዎ እምበር፡ ብዘይካ'ቲ "ክሉኣል" ተባሂሉ ክትርጎም ዝክእል «ደንዝማቲ» ወይ ደጊያት፡ ካልእ ወግዓዊ ሽመት ኣይነበርን።

«ርጉም» ብዝብል ሳጓ ዝያዳ ይዝከር። ምኽንያቱ፡ ድማ፡ ምስ ሚካኤል ሓቢሩ እቦኡ ዘቕተለን-ቀጺሉ ድማ ብሚካኤል ተመሊኹ ነጊሱን ዝብል ሕሜታ ስለ ዘሰንዮ እዩ።

1772 ዓ.ም.፥ ራእሲ-ሚካኤል ዘሕደረሉ ተጽዕኖ ምጽዋሩ ምስ ስኣኑ ግን፡ ሃጼይ-ተኽለሃይ-ማኖት እዩ መራሒ ናይ ኩሉ'ቲ ኣንጻር-ሚካኤል እተሳዕለ ተቓውሞታት ኰይኑ ጸኒሑ፡ ብ 23 ግንቦት 1772 ኣብ "ሰርባሻ" እተገብረ ውግእ፡ ሚካኤል ተሳዒሩ ተማረኸ። ንስለ ዕድመ - ኣኽብሮትን ኵነ/ትግራይ ከይለዓል ብምፍራሕ ግና፣ነጻ ተለቒቑ ኣብ ምምሕዳር ናይቲ ኣውራጃ ተወሰነ። ውሑድ-ዓመታት ብድሕሪ'ዚ፡ ሚካኤል-ስሑል ብሰላም ዓረፈ።

1755 ዓ.ም. ? ራእሲ ሚካኤል ስሑል እዩ ንመጀመርያ ጊዜ«ጎንደር» ርእሰ-ከተማ ንግስነት-ትግራይ ክትከውን መረጸ።

ራእሲ ሚካኤል-ስሑል ዝወለዶም፥

ኣብ ምምሕዳር-ትግራይ ንራእሲ ሚካኤል፡ " ደጊያት-ወልደገብርኤል " እተባህለ ውላዱ እዩ ወሪሲኡ። ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ደጊያት-ወልደገብርኤል ብፍቓድ ራእሲ-ቢትወደድ(**) ኣውራጃ በገምድር እዩ ከመሓድር ጸኒሑ።

1777 ዓ.ም.፥ ብ 1777 ዓ.ም. ሃጼይ-ተኽለሃይማኖት ብዝሞተ፡ ኣብ ሞንጎ ዝነበሩ ራእስ-ታት ብዝተገብረ ስምምዕ፡ "ተኽለጊዮርጊስ 1ይ"እዩ ሃጼይ ተባሂሉ ዘውዲ ደፊኡ። እቲ ስምምዕ ግን ንውሑድ ጊዜ ኣገልጊሉ፡ ተኽለጊዮርጊስ ብ 1782 ዓ.ም. ካብ ዝፋን ተኣገደ።

ንመተካእታኡ፡ ብስምምዕ ሓድ-ሓደ ራእስታት "ህዝቅያስ" ተሸይሙ፡ 6 ዓመት ኣገልገለ። ምኽንያቱ፡ ማዕረ-ማዕረኡ ወልደገብርኤል ንጐንደር ሒዙ ብምጽናሑ፡ ብወገኑ ን በኽዳ-ማርያም ንጉሳዊ-ክብረ ስለ ዘልበሰ።

ራእሲ-ሃይሉ እተባህለ በዓል ላስታ፡ ን "ሃጼይ ዮሃንስ 3ይ" ሸመ። እዚ'ውን ን 3 ዓመት ኣብ ስልጣን ጸንሐ። ራእሲ የስላሴ-ባርያ ብወገኑ ን "ሃጼይ-ሰሎሞን" ቀብአ። ብ 1794 ዓ.ም. ራእሲ-ገብሩ በዓል ጎጃም ምስ ራእሲ ወልደስላሴ ሓቢሩ፡ ነቲ ድሮ እተጠቕሰ ሃጼይ ተኽለ-ጊዮርጊስ እንደገና ናብ ዝፋን መለሶም። ዓመት ብድሕሪ'ዚ፡ ወልደገብርኤል ሰራዊት በገምድር ኣኸቲቱ ኣንጻር ተኽለጊዮርጊስ ተላዕለ። ኣብ «ወጀራ» እተገብረ ኲናት ድማ፡ ወልደገብርኤል ስዒሩ ክብቅዕ፡ ኣብቲ ኲናት ተቐትለ።

1795 ዓ.ም.፥

ኣብ ምምሕዳር ትግራይ ንወልደገብርኤል- ገብረመስቀል እተባህለ ሓው እዩ ወሪሲኡ። ካብዚ እዋን'ዚ ንኔው፡ ብዛዕባ ወረስቲ ራእሲ ሚካኤል-ስሑል ዝቕጽል ሓበሬታ፡ ዘይንጹር እዩ። ከም ዝመስለ ግን ብ 1804 ዓ.ም. ምስ ራእሲ-ጉግሳ ኲናት ድሕር ምግጣም፡ ብ 1805 ዓ.ም. ኣብ "ተምቤን" ንእስ ማዝኣት ዓቂቦም እዮም ጸኒሖም። ኣብቲ ዝሰዓበ እዋናት ራእሲ-ወልደስላሲ ስዒሩ ምስ መለኾም ድማ፡ ብ 1807 ዓ.ም. ንሱ እዩ ንውልቱ ተቓውሞ ዘይነበሮ ጐይታ-ትግራይ ኰይኑ ተረኺቡ።

"ሶልት" ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ እተጠቕሰ ዓ.ም. ብልክዑ'ውን ኣብ ወርሒ መጋቢት፡ ኣይቶ ህዝቅያስ እተባህለ ካልእ ውላድ ራእሲ-ሚካኤል፡ ኣርዓም ምስ እተባህለ ኣመሓዳሪ ዓድዋን/ ኣይቶ ዮሃንስ በዓል ጨልጋ/ ሰልዮ እተባህለ ካብ እንዳ-ሚካኤል ስሑል ዝውለድ ሹም-ተምቤን/ ሓቢሮም ኣብ ዓድዋ ኣንጻር ወልደስላሴ ናዕቢ ኣለዓዓሉ። ክዕወቱ ግን ኣይከኣሉን፡ እቲ ናዕቢ'ውን ከም እተመልከ ይፍለጥ።

ራእሲ-ወልደስላሴ፥

ብ 1738 ዓ.ም. ኣቢሉ ይውለድ። ኣቦኡ ክፍለዮሱስ እተባህለ ሓደ ካብቶም ብሉጻት ጀነራላት ራእሲ ሚካኤል-ስሑል እዩ ዝነበረ። ራእሲ ሚካኤል ኣብ ጐንደር ኣብ ዝነበረሉ፡ ክፍለዮሱስ ንሓጺር እዋን "ኣመሓዳሪ-ትግራይ" ዝብል ሽመት እውን ተዋሂብዎ ነበረ።

ኣብ ንእስነቱ፡ "በዓል-ገዳ" ወይ ተኽላኽሊ ናይተን ጨው ዘመላልሳ ቃፍላያት ዝብል ሽመት ዝነበሮ እዩ። ብ 1770 ዓ.ም.«ጀይምስ-ብሩስ» ጐንደር ኣብ ዝበጽሓሉ እዋናት፡ ወልደስላሴ ኣብ ንጉሳዊ ቤተ-መንግስቲ፡ ተራ ሒዙ እዩ ጸኒሑ። ተኸታሊ ሃጼይ-ተኽለሃይማኖት ብምንባሩ ድማ፡ ኣንጻር ራእሲ-ሚካኤል እዩ ተሰሊፉ ዝነበረ። እስዒቡ ምስ ተኽለሃይማኖት እውን ብዘይ-ምስናዩ፡ ኣብቲ ብምብራቕ ወረዳ-ዓጋመ ዝርከብ «ሜዳ-ጨው» ተዓቒቡ፡ ክሳብ'ቲ ራእሲ-ሚካኤል ዝሞተሉ እዋናት፡ ኣብኡ ብሒቱ ጸንሐ። ደጊያት-ወልደገብርኤል ምሕረት ዕርክነትን

(**) ኣብ በገምድር እትርከብ ናይ ሽው ርእሰ-ከተማ ናይቲ ንግስነት «ከተማ ጐንደር»፡ ብራእሲ-ቢትወደድ እያ ትመሓደር ዝነበረት።

ተመባጺዑ ንዓድዋ መለሶ። እብዚ ብዝኣተወ ድማ፡ ብመቐለ ተሓየረ። ካብዚ ክምልጥ ከኢሉ ግን እንደገና ኣብ መሬት-ጋላ ተዓቚበ።

ኣብቲ ካብ 1776 ክሳብ 1794 ዓ.ም. ኣብ ሃገር-ኣምሓራ እተኻየደ ነዊሕ-ሕሱምን ውግኣት ወልደስላሴ እውን ተሳቲፉ እዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሽድሽተ-ነጋውስ ዝኣኽሉ ካብ ስልጣን ወሪዶም፡ ብዊንታ ናይቶም ብብረት ሓይሊ ዝደለዩ መራሕቲ ድማ፡ ክንዳኦም ዝኣኽሉ ሃጸያት ተሸሙ። ኣብ እተገብሩ ውግኣት፡ ወልደስላሴ ብትብዓት-ብልሕን-ወታሃደራዊ ተውህቦን- ዓቢ ዝና ኣትረፈ። ምስ ራእሲ የስላሴ-ባርያ ሓቢሩ ንሃጸይ-ሰሎሞን ኣብ ዝፋን ምስ ኣብቅዮ ድማ፡ እቲ ሃጸይ፡ ራእሲ ብዝብል ሽመት ኩሓሶ።

ብ 1794 ዓ.ም. ምስ ራእሲ-ገብሩ ሓቢሩ ወገን ናይቲ ካብ ስልጣኑ እተቐንጠጠ ተኽለጊዮርጊስ ብምሓዙ፡ ንሱ ኣብ ዝፋን ብዝተመልሰ "ራእሲ-ቢትወደድ" ዝብል ሽመት እውን ደረበሉ። ዓመት ብድሕር'ዚ ሰራዊት ተኽለጊዮርጊስ ኣብ «ወጀራ» ብራእሲ-ወልደገብርኤል ተሳዕረ። ራእሲ-ወለገብርኤል ግን ምስ ራእሲ-ምሕረት በዓል ጎጃም ኣብቲ ኩናት ተቐትሉ።

1795 ዓ.ም.፥

ተኽለጊዮርጊስ ብድሕር'ቲ ዘጋጠሞ ስዕረት ምንኩስና(መነኰስ) መረጸ፡ ብድሕር ቅሩብ እዋን ሞተ። ራእሲ-ወልደስላሴ ካብ «እንድርታ» ብዙሓት ተኸተልቲ ኣኪቡ ኣንጻር'ቲ ንወለገብር-ኤል ዝወረሰ ሓው ኣይቶ-ገብረመስቀል ኲቲቲ ኣብ እተፈላለዩ ግጥማት ሰዓሮ። ወልደስላሴ መራሒ ምሉእ ትግራይ ተባሂሉ ግዝኣቲ ኣብ ምሉእ ወገናት "ሰሜናዊ-ክፍሊ" ዓድ-ሓበሻ ዘርግሐ። ዓመት ብድሕር'ዚ፡ ኣብ ዓድ-ኣምሓራ ራእሲ ምስ ዝነበረ ጉግሳ ተሰማሚዖም ንሃጸይ እገላ-ጽዮን(ጊጃር) ወድ-ሀዝቅያስ፡ ኣብ ዝፋን-ንግስነት ኣንበርዎ።

ወልደስላሴ ዝደለዮ ሓይሊ ግና ንጉግሳ ኣየቕሰኖን። ብዘይካ'ዚ ድማ ኣብ ሞንጎኦም ሃይማኖታዊ ክርክራት ስለ ዝጸንሐ፡ ዝምድናኦም ተረሓሓቐ። ጉግሳ ኣንጻር ወልደስላሴ ንምኽታት፡ ብዓቢ መደብ ንኩናት ተዳለወ። ማዕረ-ማዕረ'ዚ እውን ኣብ ትግራይ ናዕቢ ክሳዕል፡ ነቶም ተደቒሶም ዝጸንሑ ዘርኢ ሚካኤል-ሴሑል ኣንጻር ወልደስላሴ ክለዓሉ ኣነዓዓቦም።

1807 ዓ.ም.፥

ኣብ ወርሒ መጋቢት 1807 ወልደስላሴ ነቲ ኣብ ዓድዋ እተላዕለ ናዕቢ ኣህዲኡ፡ ብወርሒ ታሕሳስ 30-ሽሕ ኣጋር- 1000 ፈረሰኛታት- 8000 ጠበንጃን ዝሓዘ ሰራዊት መሪሑ ኣንጻር'ቲ 40-ሽሕ ዝግመት ሰራዊት ኣኹቲቱ ንትግራይ ክወርር ይዳሎ ዝነበረ ጉግሳ ተላዕለ።

1808-9-10 ዓ.ም.፥

ብ 25 ጥሪ 1808 ዓ.ም. ጉግሳ ኣብ «ማይ-ሰልዓ» ተሳዒሩ ክስሕብ ተገደደ። ኣብ ጽድያ ናይቲ ዝሰዓበ ዓመት እስቢጋዲስ እተባህለ ሓደ ካብቶም ብሉጻት "ጀነራላቱ"/ኣመሓዳሪ ወረዳ-ዓጋመን/ ኣንጻሩ ስለ እተላዕለ፡ ወልደስላሴ ንወረዳ-ዓጋመ ወረሮ። ብድሕር'ዚ ንሰራዩ ቀጺሉ ሰራዊቱ ክሳብ ሓማሴን ደፍኦም። ኣብ ዓድ-ባሮ ቀይሙ ኣብ ዝነበረ ድማ፡ ገብረመስቀል/ ኣይተ-ሰሎሞን እተባህሉ ሰብ-ሃዘጋ፡ ኣብ ቅድመኡ ቀሪቦም ምልኩ ኣሚናም፡ ኢድ ነስኡ።

ብ 1810 ዓ.ም. ኣንጻር ጉግሳን- እቶም ሓቢሮም ኣንጻሩ እተላዕሉ መራሕቲ ሳስታን- ኩናት ክም ዝኸተተ ይፍለጥ። ኣብ ዝኾነ እዋን ግን ሓርነቲ ዓቂቡ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ድማ ምሉእ ትግራይ ዓቢ ሓይሊ ከም ዝደለበ ይዝከር።

ብዘይካ ምስቲ ብፍላይ ንዓኡ ዘገልግል ዝነበረ "ፕይርስ" እተባህለ እንግሊዛዊ፡ ምስ ሎርድ-ቫለንጽያ/ ሀንሪክ-ሶልት/ እተባህሉ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ልኡኻት ብሪጣንያ፡ ጽቡቕ ዝምድና ዝነበሮ እዩ። እንግሊዛውያን ነቲ ናፖሊኣን-1ይ ኣንጻር ግዝኣቶም ኣብ ሃገር-ህንዲ ዝመደቦ ኩናት ንምድሳው፡ ኢትዮጵያ ከም ፈታውን-ተሓባባርን ሃገር ጸግዖም ክኸውን ጥቕሚ ነይርዎም እዩ።

ወልደስላሴ፡ ነቲ ዝፈትዎ ናይ ኩናት ፈረሱ ዘዝኻኽር «ባዲንሻ» ብዝብል ሳን እውን ይፍለጥ።

ከም ልምዲ፡ ኣብ ዓድዋ- ጨለቖት- እዩ መናበሪኡ ዝነበረ። ብድሕር 20 ዓመት ናይ ዓወት ግዝኣቲ ብ 1816 ዓ.ም. እዩ ሞይቱ።

ራእሲ-እስባጋዲስ፥

ብድሕር-ሞት ወልደስላሴ፡ ኣብ ትግራይ ንክልተ-ዓመት ዝኣክል ኣብ ሞንጎ'ቶም ወረስቲ ዝበሃሉ፡ ቃልሲታት እዩ ቀጺሉ። ካብኣቶም ግን ብዙሓት ሰዓብቲ ረኺቡ ጸብለል ክብል ዝኸኣለ፡ ኣመሓዳሪ ወረዳ-ዓጋመ ዝነበረ፡ እስቢጋዲስ እዩ።

ተኸታሊ ወልደስላሴ ኰይኑ፣ ሓደ ካብ'ቶም ብሉጻት መራሕ-ሰራዊት እዩ ዝነበረ። ብ 1809 ዓ.ም. ግን፣ ዝሓሸ ዕድል ንምንዳይ እንጻር-ወልደስላሴ ተሰርሀ።

1818 ዓ.ም.፥ ንዝነበሩ መወዳድርቱ መሊኹ ብ 1818 ዓ.ም. ጐይታ መላእ-ትግራይ ኰነ። ካብ ዝነበሩ መዋዳድርቲ፣ እቲ ንእስታት 6 ዓመት ዝአክል ተምቤን ኰነ/ ከፋል ናይቲ ብቐንዱ ትግራይ ዝበሃል(ማለት ወረዳ-ዓድዋ)ወገን፣ ከም ነጻ ጐይታ ኰይኑ ከመሓድር ዝጸንሐ ደጊያት ገረንፍኤል-ተምቤናይ(ገብረ-ሩፋኤል)ካብ "እንዳ ራእሲ ሚካኤል ስሑል" ይዝከር። ኣብ ሞንጎ 1817-1824 ዓ.ም. ኣብ ዘሎ ዓመታት፣ ገረንፍኤል ኣብ ብሉጽ እዋናቱ እዩ ዝነበረ። ስዒቡ ግን ብ እስቢጋዲስ ተገዲዱ ኣብ ካልኣይ-ደረጃ ማለት ኣብ ምምሕዳር ናይቲ ብውርሻ ዝብጽሖ "ተምቤን" ተወሲኑ ተረፈ።

እስቢጋዲስ ዝኣክል ዕብየት ምስ ደለበ፣ ኑቲ ወትሩ መራሕቲ-ዓጋመ ዝብህግዎ እንዳሲ-ሃብታምን ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ ንምውራር ተበገሰ። ሓያል-ሰራዊት ኣኸቲሉ ብዝወረሮ ግና፣ ህዝብታት ናይዚ ደሞክራስያዊ-ወረዳ ብረት ኣልዒሎም ገጠምዎ። ኣብ ዓድ-ኢዳ(መረታ-ሰበነ) እተገብረ ኲናት ድማ፣ ተዓወትሉ። ብድሕሪ'ዚ'ውን እንተኾነ፣ እስቢጋዲስ ዝነበሮ ስልጣን ሓያል ብምንባሩ፣ እቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ራእስታት-ኣምሓራ ካብ ዝጸንሖም ሕንሕንታ፣ ኣይዓረፉን። ኰይኑ'ውን "ራእሲ-ማርየ" ከመልከ ንማለት፣ግብሪ ናይ ምኽፋል ግዴታ ኣጠንቀቖ። እስቢጋዲስ ነዚ ምስ ነጸጎ ድማ ማርየ ምስ ደጊያት-ውብ መራሕ ሰሜን ሓቢሮም፣ እንጻር እስቢጋዲስ ተላዕሉ።

1831 ዓ.ም.፥ ብ ወርሒ ጥሪ 1831 ዓ.ም. ክልቲኦም ተጻረርቲ-ሰራዊት ብዝገጠሙ፣ ማርየ ብኢድ "ሓጐስ" እተባህለ ሓው እስቢጋዲስ ክቕተል እንከሎ፣ ውቤ ንእስቢጋዲስ ከማርኾ ክኢሉ፣ ኣብ ዝሰዓበ መዓልቲ ንሞት ፈረዶ።

እስቢጋዲስ፣ ተወላዲ «ጠልጣል» እዩ። በሃገ ዓወት- ዓቢ ወታሃደራዊ ጥበብ ዝመለኸ- ምስ ሰራዊቱ እውን ሓራ-ማዕርንታውን ዝምድና ዝነበሮ እዩ። ደቂ-ትግራይ በቲ ምሳእም ዘዘውተሮ ምውቕ ፍቕሪ-ሓልዮትን/ ብእንጻሩ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣምሓራ ብዝነበሮ ጽልእን፣ ብሓቂ የኽብርዎ ነበሩ። ዛጊት'ውን ብድሕሪ ሞቱ ብባህላዊ-ደርፍታት ይዝክርዎ።

ብዘይካ'ቲ ካልእ ዝነበሮ ብልሜታት፣ ኩሎም ሓያላት ናይዚ ምድሪ ክህልዎም ዝግባእ ተውህቦ ሓላይ ድኻታት ከም ዝነበረ እውን ይምስክሩ። ከምቲ ብቕድመኡ ዝነበረ መራሒ-ትግራይ ድማ፣ ምስ እንግሊዝ ጽቡቕ ዝምድና ዝመስረተ እዩ።

ደጊያት ውቤ፥

ካብ ሓይሊ-ማርያም እተባህለ መራሒ "ሰሜን"፣ ብወሰን እዩ ተወሊዱ። ኣቦኡ ዝነበሮ መሬሕንት ከወርስ ድማ፣ መሰል ናይቲ "መርሶ" እተባህለ ሕጋዊ-ወራሲ(ሕጋዊ ቦኽር-ውላድ ሓይሊ ማርያም ብምንባሩ) ዘረፉ እዩ። ብ 1826 ዓ.ም. እንጻር "ኢማም" እተባህለ ራእሲ ዓድ-ኣምሓራን/መራሒ ወሎ ጋላን- ኲናት ከተተ። ተሳዒፉ ግን ብዝተመለኸ፣ ዕርቂ-ሰላም ተገይሩ፣ ግዝኣት በገመድርን/ ምምሕዳር ናይቶም ክሳብ ፈለግ-ተከዘ ብሰሜን ዝርከቡ ዓድታትን/ ተፈቕደሉ።

ውቤ ሓርነቱ ንምርግጋጽ ብዝነበሮ ዝምባለ ግን፣ ምስ እስቢጋዲስ ሓበረ። ብድሕሪ ኢማም ራእሲ-ማርየ ኣብ ስልጣን ብዝዘመጸ፣ ን ውቤ ን «ደብር-ታቦር» መጺኡ፣ ተመሊኹ ኢድ ክንስእ ዕድመ ገበረሉ። ውቤ ግን ነዚ ኣይተቐበሎን። ስለ'ዚ ማርየ እንጻሩ ተላዒሉ፣ ስዒሩ ምስ ማረኾ፣ ምሕረት ገቢሩ ነጻ ንኽለቆ፣ ምሳኡ ሓቢሩ እንጻር እስቢጋዲስ ክኸትት ኣዘዞ።

ብ 1831 ዓ.ም.፣ ማርየ ትግራይ ዝወረረሉ፣ ውቤ ኣብ ቅድመ-ግንባር ኰይኑ እዩ መሪሕዎ። እስቢጋዲስ ኣብ ኲናት «ፈረስ-ማይ» ብዝተሳዕረ ድማ፣ ንውቤ ምምሕዳር ምዕራባዊ ክፍሊ-ትግራይ ተፈልጠሉ። ደጊያት-ካሕሳይ እተባህለ ወድ-እስቢጋዲስ ግን፣ መንግስቲ ናይቲ ምብራ-ቓዊ-ክፍሊ ዓቂቡ ተረፈ።

ውቤ፣ ኑቲ ኣብ መጀመርያ-እዋናት ምስ ደጊያት-ካሕሳይ ዝጸንሖ ስኒት ኣፍሪሱ፣ ብኡ-ንብኡ ተጻራሪኡ ኰነ። ቢተ-ክህነት ድኣ፣ ኣብ ሞንጎኦም ኣትዩ ዳነየ። ብመሰረት'ዚ ድማ፣ ውቤ ምስ ሓውቲ-ካሕሳይ ተዋሲቡ ናይ "መውስቦ-ዕርቂ" ተፈጸመ። ምስ ናይዚ ግን፣ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልምታቱ ኣይዓረፈን። ካሕሳይ እውን ብወኹ ስለ ዘይቀሰነ፣ ምስ ሃይሉ በዓል-ሓማሴን/ ባለ-ገዳ ኣራርያ በዓል-ወጀራት(ካብ እንዳ ራእሲ-ወልደስላሴ)/ ገረንፍኤል ተምቤናይ(ካብ እንዳ ራእሲ ሚካኤል-ስሑል)/፣ ተሓባበረ።

ውቤ እንጻር ሰራዊት ራእሲ-ዓሊ ንምምካም ንተከዘ ብዝወፈረ ድማ፣ እተጠቕሱ መማኸርቲ፣ ዘይምህላው ኣረጋጊጾም፣ ንወኪላቱ ኣሰኒፎም፣ ንዓድዋ ኣትዮም ወረርዎ። ውቤ ብዝተመልሰ ግን፣ ኣብ ኲናት «ደርጊሀን» ሰዒሮም እሞ፣ ካሕሳይ ተማረኸ።

1839 ዓ.ም.፥

ከምዚ'ሉ ውቤ ብ 1839 ዓ.ም. ካብ ጐንደር ክሳብ ማርያ ናይ ዘሎ ሃገር ጐይታ ኮይኑ፡ ካብ ናይ ራእሲ-ዓሊ ለጠቕ ዝብል ቍጽሪ-ሰራዊት እኳ እንተነበሮ፡ ካብ ወደብ-ባጽዕ ብቐሊሉ ዝሰንቆ ናይ ሓዊ-ብረት፡ አዝዩ ብዓይነት ክብ ዝብል ሰራዊት ክዋርንፍ ክእለ። ዝደለዮ ሓይሊ ካብ ዘረጋግጹ ጭብጥታት ሓደ፡ መንግስቲ-ፈረንሳ ንባዕሉ፡ ልኡኻውነቱ አሚኑ " ኮምብስ" እተባህለ ልኡኹ ናብ ውቤ ከም ዝለኣኸ ምጥቃስ ኣኻሊ እዩ።

1840 ዓ.ም.፥

ውቤ ብሓይልን-ሕልናን ብዝዓበየ፡ እንጻር'ቲ ኢድ ከነስአ-ክምለኽን ዘጠንቀቐ " ራእሲ-ዓሊ " ተሳዕለ። ኣብ «ደብረ-ታቦር» እተኻየደ ኲናት ግን(1841 ?) ሰራዊት-ውቤ ኣብ መጀመ-ርያ ዓወት'ኳ እንተመዝገበ፡ ኣብቲ ቀጻሊ ኲናት ምብትታን ኣትዩዎ ውቤ ንባዕሉ ብኢድ ጸላእቲ ተማረኸ።

1844 ዓ.ም.፥ ሕጂ'ውን እንተኾነ ውቤ ነጻ እዩ ተለቂቑ። ብ 1844 ዓ.ም. ድማ ን መረብ/ምላሽ ወሪሩ ሰፍ ዘይብል ግብረ ኣገደዶ። ኣከለ-ጉዛይ እዩ ተባዕ ተቓውሞ ኣቕሪቡ ኣብ እተፈላለየ እዋናት ንሰራዊት-ውቤ ደፊኡ ክሳብ'ውን ካብ "በለሳ"(ደቡባዊ-ዶብ) ማለት ካብቲ ሰራዊት-ውቤ ብሓይሊ ዓሪዶምሉ ዝነበሩ ቦታ፡ ከባርሮም ፈተኑ። ኣብዚ ናይ ብረት ፈተነ ግን ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ ተሳዕረ'ሞ፡እዚ ሕያዋይ-ወረዳ'ውን ንመጀመርያ ጊዜ ብ «ግብሪ» ተገደደ።

1849 ዓ.ም.፥

በዚ ዓመተ-ምህረት'ዚ ውቤ ን «ሰምሃር» ወሪሩ ራሰዮ። ግብረ-ወደብ ኣዛይድኩም- ንሓድ-ሓደ ብምኽንያት ንግዲ ንባጽዕ ዝወፈሩ ተኸተልቲ(ኣብ ሞንጎእም ወድ-ሓው እውን ዝነበረሉ) ከም ጊላ ተሸይጠም....ወ.ዘ.ተ. ብዝብል ክሲታት፡ ኑቶም ጐይቶት ገማግም-ባሕሪ ዝነበሩ «ናይባት» ንምቕጻዕ፡ ወረራኡ ን ባጽዕ መደበ። ኣብ ሰምሃር እተፈጸመ ራሰያ፡ ብምድፍፋእ-ሓገዝን ወልደ-ጋብር እተባህለ ወድ ተድሮስ ከንቲባይ-ድምበዛን እዩ ተፈጺሙ።

1850 ዓ.ም.፥

ኣብቲ ዝሰዓበ ዓመት፡ ውቤ ብዝእዘዞን- እሸቱ/ ካሕሳይ/ እተባህሉ ደቁ ዝመርሕዎን- ካልእ ራሰያ ኣብ ልዕል ህዝብታት ባርያ- ባዛ- ዓልገደን- ወዓለ። እዚ ወራር'ዚ ክሳብ ክባቢ-ከሰላ እዩ በጺሑ። ውቤ ነዚ "ይብጻሓኒ እዩ" ዝብሎ ብወራር እተመለኸ ሰፊሕ-መሬት/ ኑቲ ብብ-ረትን- ሰዓብቲ ሃይማኖት ምስልምና ተደጊፎም ግዝኣቶም ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ማርያ-ቦጎስ-ታዓቄ- ኣስፊሖም፡ ንሱዳን ምስ ባሕሪ ከራኽብዎ ዕላማ ዝነበሮም ግብጻውያን/ ከም እንደገና ምምላስን- ምቅዋምን እዩ ዝነበረ መደቡ።

ኣብዚ እዋናት'ዚ ኣብ ማእከል ዓድ-ሓበሻ " ደጊያት-ካሳ በዓል ቋራ " እዩ ሓይሊ እናደለበ ክኸይድ ጸኒሑ። ካሳ፡ ብ 1853 ዓ.ም. ን " ራእሲ-ዓሊ " ሰዒሩ ኣብ «የጁ» ክዕቆብ ምስ ኣገደዶ፡ ጐይታ ምሉእ ዓድ-እምሓራ ተባሂሉ እዩ ጸኒሑ።

1855 ዓ.ም.፥

ውቤ ኣንጻር " ካሳ " ዘይተርፎ ኲናት ብዝገጠመ፡ ብ 5 የካቲት 1855 ዓ.ም. ኣብ «ደብረ-እዝጊ» እተባህለ ቦታ ተሳዒሩ- ተማረኸ፡ ብትእዛዝ ካሳ እውን ተቐትለ። ኣብ ዝሰዓበ መዓልቲ ኣብቲ ዓውደ-ኲናት፡ ካሳ ብ እግዚኣብሄር እተመርጸ ንጉስ ተባሂሉ «ሃጸይ ተዎድሮስ 1ይ» ዝብል ስም ሳበሰ።

ውቤ፡ ወኪል ጥቕምታት-ሃንቀውታን ተጋሩ ብምንባሩ፡ ብሕልፊ ድማ ኣንጻር'ቶም ንዓድ-ሓበሻ ኣብ ምስልምና ዘምርሕ መደብ ኣለዎም ተባሂሎም ዝጥርጠሩ ናይ " ጉግሳ ስርው-ጋላ " ብምምካቱን እዩ ሓይልን-ዕብየትን ክድልብ ክኢሉ። ብሰራዊቱ'ኳ ንጉስ ተባሂሉ እንተተሰመየ፡ ኑቲ «ደጊያት» ዝብል ሽመት እዩ ወትሩ ዓቂቡ ጸኒሑ።

እዚ ናይ «መሳፍንቲ» ዝበሃል ዘመን፡ ብእኡ ብውቤ ምስ ኣብቀዐ፡ ተድሮስ-1ይ ኣብ ስልጣን ብዝመጸ እዩ፡ ዘመን ናይቶም "ስዩመ-እግዚኣብሄር" ዝበሃሉ ሃጼያት ተኸፊቱ።

****

ሰሎሞናውን-ናይ ጉግሳን ስርወታት

****

እቲ ብጋላ እተፈጸመ ወራር፡ ነቶም ብደቡብ-ተኽዘ ዝርከቡ ህዝብታት ብመሰረቱ እዩ ለዊጥ-ዎም። እዞም ሓደስቲ ህዝቢ ኣብ ሓድ-ሓደ ቦታ ብቋንቋ ኩን-ትካላት፡ ግዛእ ርእሶም ዘጽሩ ዓበይቲ ጉጅለታት ኣቑሞም ንዝጸንሑ ዋንታውያን-ነባር ኣባሪሮም ወይ ኣጽኒቶም ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ኣብ ካልእ ቦታ ከኣ ከኑታቱ ቋንቋ- ሃይማኖት- ባህሊ- ናይቶም እተመለኹ ህዝብታት ብምቕባሎም፡ ብምትሕንፋጽ-ደም እውን ኣብኣቶም ተሰትሩ። ከምዚ'ሎም ድማ ሓድ-ሓደ ህዝብታት ንኣብነት ከም "ሸዋ" ዝኣመሰሉ፡ እቲ ብደሮ ዝጸንሖም ቅርጺ-ተምሳል ፈጺሞም ኣጥፍእዎ።

ህዝቢ-ጋላ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ካብ ዘእተውዎ መሰረታዊ ለውጢ ሓደ፡ ነቲ 3000 ዓመት እቢሉ ዝጸንሐ ፖሊቲካዊ-ስርዓት ምዕናው እዩ። ጃምላዊ ወራራቶምን-ብረታዊ ፍጻሚታቶምን፡ ንዝነበሩ ሃጸያት ርእሰ-ከተማ ናይቲ ንግስነት ካብ ኣኽሱም ን ጐንደር ከግዕዙ(ብቐረባ ንጋላ ከምኩቱ ንግለት) ኣገደዶም።

ከምዚ'ሉ ድማ እቲ ናይ ብሓቂ ሓይሊ ናይቶም ሃጸያት ኩይኑ ዝጸንሐ "ግእዝ" ዝመሰረቱ ስልጣን፡ ፈጺሙ ተዳኸመ። እዚ እቲ ቀዳማይ-ከሳራ እዩ ዝነበረ።

እቲ ካልኣይ ዝበእሰ ጋላ ንዓድ-ሓበሻ ዘኸተልዎ ዕንወት ድማ፡ ከም መጠን ሓድሽ-ህዝቢ ዝነበሮም/ሓይሊ/ተዓጻጻፍነት/ምስ ኩባ ብቐሊሉ ምውህሃድ/ዓዚ ናይ ምስትውዓል ተውህቦ/ ጥዑይ መትኒ-ስራውር/ ተፈታዊ መልክዕ-ጠባይን፡ ካብ ዝነበሮም ማኣለዮ እተበገሰ እዩ ነይሩ። ከምዚ'ሎም፡ ብብረት ኣብ እተሰነፍሉ እዋን፡ ብውዲት- ናይ ስሕተት ሚላ- ውዳሰ- መልክዕ ኣንስቶም- ተጠቒሞም ክዕወቱ ይኽእሉ ነበሩ።

ክሳብ'ውን ነቲ «ግምቢ-ንጉስ» ብምሉኡን/ነቲ ሃጸይ በዓል-ተራን ከይተረፈ ክስሕቱ ክኢሎም እሙናት/ ትሑታን/ እተመለኹ ኣገልገልትን/ እናመሰሉ፡ ኣብ ማእከል ኣትዮም ዋና-ጉዳያት ኣብ ኢዶም ጠቕለልዎ።

በዚ ድማ፡ ካብቶም ሓርፋፍን- ሓርንታዊ ባህሊ ዘሳልዮምን ደቅ-ትግራይ ይፍለዩ። ከመይሲ እዞም ዳሕረዎት ኣብ ልዕሊ ንጉስ ዝነበሮም ኣኽብሮት፡ ብ ሃይማኖት እተባረኸ/ ብባህሊ ዝኸበረ/ ብዘይከሓድ ሕግታት ዝቕየድ/ ይበቅዕ ካብ እተባህለ ኣባል ሰሎሞናዊ-ስርወ ብነጸ-ምርጫ ዝምረጽ ብምዃኑ እዮም «ኣባታዊ-ስልጣን ንጉስ» ዝኣምንሉ ነይሮም።

እቲ ደፋእ እናበለ ክመጽእ ዝጸንሐ ምዕናው ሰሎሞናዊ-ስርወ፡ ብስሪ ህዝብታት " ሰሜን " እተላዕለ ናዕብታት/ ናይ ምትዕብላል ውግእትን/፡ ናብ ዕንወት ናይቲ ዝጸንሐ ጥንታዊ-ትካላት ከምርሕ ጸኒሑ፡ ካብኡ ድማ እይወጸን።

መዝኑቱ ዝጕደለ/ ሞራላዊ-እብነት ዘጥፍአ/ ዝፍራሕ-ዘሰገድድን ነገራዊ ሓይሉ ተዳኺሙ፡ ጽላሎት ናይቶም ሃጸያት እዩ ንግለቱ ደው ኢሉ ዝነበረ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ድማ እቶም ሃጸያት ከዐም ኩነታቱ፡ ኣብቲ ነዊሕን ብዙሕ ደም ዘፈሰሶን ናይ ሓድ-ሕድ ውግእት፡ ደገፍ ናይቶም ብዕድል ክዕወቱ ዝኽእሉ ዞባኣውያን-መራሕቲ ክሓቱ ተገደዱ። ስለዚ ድማ ኣብ ክንዲ ሃጸያት፡ ከም ተኸተልቲ ናይቶም መራሕቲ-ዞባ ኩይኖም የገልግሉ ነበሩ።

እቶም ጀጋኑ መራሕቲ ናይቶም ተቓወምቲ-እውራጃታት (ዕድሎም ንቕድመእም ዝበሃሉ ማእረራን) ክሳብ'ውን ነቶም ኣብ ስልጣን ዝጸንሑ ሃጸያት ምቕንጣጥ-ምቕታልን፡ ኣብ ክንዳኦም ድማ ካልኦት ሃጸያት ምትካእን በጽሑ። ኣብ ስልጣን ዝሰዓኑ ሃጸያት ብግደኦም፡ ግዳያት ናይ ካልእ እተዓወተ ኩብላሊ ብምዃን፡ እቲ ነገር ምእላዩ ተሳእኑ። ኣብ መወዳእታ ድማ ትርጉም ሃጸይ፡ ብሕታዊ-ጥቕሚ ዝሽፍን/ሓቂ ዘይብሉ ሕጋዊ ተምሳል ዝለበሰ ምስሊ ኩይኑ ተረፈ።

እዚ ዘሕዝን እዋናት ክሳብ 1855 ዓ.ም. ማለት ንልዕሊ ሓደ-ክፍለ ዘመን መመላእታ ከምኡ ኢሉ ጸንሐ። ኣብ እተጠቕሰ ዓመተ-ምህረት ሓደ ካብቶም " ዕድሎም ንቕድመእም " ዝበሃሉ ማእረራን፡ ብድፍረትን-ቅንዕናን ነቲ ዝጸንሐ ዘይሓቀኛ-ኣገባብ ብንዕቀት ደፊሩ ብስም *ቴድሮስ 1ይ ስዩመ እግዚኣብሄር* ዝብል መጸዋዕታ ንባዕሉ «ሃጸይ» ተሸመ።

ኣብቲ ነዊሕ ናይ ጸላም እዋናት ካብ እተኸየዱ ፍጻሚታት፡ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ክገድሱ ዝኽእሉ መዳያት፡ እቲ ንመሳፍንትን(ማለት መራሕቲ ናይቶም ብሰሜን-ተኽዘ ዝርከቡ ዓድታት)- ነቶም ምሳኦም እተፈላለየ ዝምድና ሰላም-ኩናትን ዝነበሮም ናይ ኣምሓራ-ራእስታትን ዝምልከት እዩ።

ብ "መሳፍንቲ" እተኻየዱ ናይ ታሪኽ ፍጻሜታት ብጸብጻብ ካብ ተጠቕሱ፡ብዛዕባ'ቶም ዳሕረዎት ማለት ናይ ኣምሓራ-ራእሲታት እውን ኢሕጺርካ ምጥቃስ ክድሊ እዩ።

ኣብዞም ሰዒቦም ቀሪቦም ዘለው ስለዳታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ልክዕነት እዩ ተደልዩ ነይሩ። እተረኽበ ግን ኣይመስልን። ብዝኾነ ግና እቲ ኣብዚ ንእንባቢ ቀሪቡ ዘሎ ሓበረታ፡ ካብ ናይቶም ብዛዕባ'ዚ ኣርእስት'ዚ ተገዲሶም ዝጸሓፉ ደረስቲ(ባዶታት-ምግርጫዎት ስለ ዝበዝሐ)፡ እቲ ዝሓሸ እዩ ክበሃል ይከኣል።

ኣንበብቲ ኸማንዘብዎ ከም ዝኽእሉ፡ እብ ሞንን'ቶም ብመራሕቲ እምሓራ ተፈጺሞም ዝበሃሉ ታሪኻውያን-ፍጻሜታትን፡ እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ብሰሜን-ተከዘ ክነየድ ዝጸንሐ ታሪኽን፡ ፍልልይ ከም ዘሎ፡ ብቐሊሉ ዝረአ እዩ። ኣብዚ ክፍል'ዚ(ብሰሜን-ተከዘ) ዝነበሩ መራሕቲ፡ ብቃልሲ ጸብለል ዝበሉ/ንሓድሕዶም ዘወዳደሩ/መብዛሕትኡ ጊዜ እውን ናይ መበቆል ፍልልይ ዝነበሮም እዮም። እብ እምሓራ ግን፡ ብጋላ ዝቖመ ናይ ገዛእ-ርእሱ ስርወ ተመስሪቱ፡ ዝጸንሐ ናይ ስልጣን-እወራረስ፡ ብሕጋዊ-መልክዕ እዩ ክመሓላለፍ ጸኒሑ። ስለዚ እንባቢ፡ መንቀሊ ናይቲ ፍልልይ እንታይ ምዃኑ ብቀሊሉ ተረዲኡ፡ እድላይ-ትምህርቲ ክስንቀሉ ብዝኽእል መንገዲ እዩ እቲ ታሪኽ ተዋጺኡ ቀሪቡ ዘሎ።

ሃጸያት ሕጋዊ-ስርወ ኣብ ዘመነ መሳፍንቲ

****

ምዕናው «ሰሎሞናዊ-ስርወ» ብ 1709 ዓ.ም. ብሞት ሃጸይ-ተምፍሎስ እዩ ተበጊሱ። ድሮ ብቕድም'ዚ ግን፡ እተፈላለዩ ሃጸያት ተቐቲሎምን- እቶም ንመተካእታኦም እተመረጹ ወረስቲ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ጥቕሚ-ህዝቢ/ ጥቕሚ ሕልና ዘይነበሮም ናይ ዕንደራ-ጉጅለታት እዮም ዝውክሉ ነይሮም።

እያሱ 1ይ (1680-1704 ዓ.ም.) ኣብ ናይ ጐንደር-ግምቢ ብወዱ *ተኽለሃይማኖት 1ይ* (1704-1706 ዓ.ም.)እዩ ተቐቲሉ። እዚ'ውን ብግደኡ ንሃድን ብዝወፈረ ብህይወቱ ኣይተመልሰን። ንጓኡ "ተምፍሎስ" ሓው እያሱ 1ይ እዩ ወራሲኡ ኰይኑ ንሰለስተ-ዓመት ኣብ ስልጣን ተኪእዎ። ክሳብ'ዚ'ውን፡ እቲ መትከል «ሕጋዊ-ተወራረስ» ተዓቂቡ እዩ ነይሩ።

ብድሕር-ሞት ተምፍሎስ ድኣ፡ *ውስማስ* እተባህለ ሓደ ካብቶም ቀይዲ-በቲኾም ኣብ ጐንደር ዝነበሩ ዓንደርቲ፡ ብኢደ-ዋኒኑ ናብቶም ንምርጫ ሓድሽ-ሃጸይ ተኣኪቦም ዝነበሩ ሽማግለታት ናይቲ ንግስነት፡ ከም ሕጹይ ናይቲ ውርሻን-ምርጫን ኰይኑ ቀረበ። ውስማስ ብወገን-ኣደ ምስ ሰሎሞናዊ-ስርወ ይዛመድ እዩ። በቶም ሽማግለታት ተቐባልነት ረኺቡ ድማ፡ ብ 1709 ዓ.ም «ሃጸይ» ተባሂሉ ክሳብ 1714 ዓ.ም. ገዝአ። ከምዚ'ሉ ክኣ ኣብ ታሪኽ ዝፋን-ንግስነት ዓድ-ሓበሻ ንኻልኣይ ጊዜኡ ናይ ውርሻ-መትከል ተጣሒሱ እቲ "ሃጸይ" ዝብል ሽመት፡ ንግስነት ናብ ዘይጥበእ-ሰብ ክመሓላለፍ ተራእየ። እቲ ንመጀመርያ ጊዜ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ዘጋጠመ ብ 960 ዓ.ም. ኣቢሉ ይኸውን ሓስተር-ጉዲት ወይ እሳት እተባህለት ንግስቲ በዓልቲ «ሰሜን» ነቲ ሓደ ክፍሉ ጥራሕ ክድሕን ክኢሉ ኣብ ሸዋ እተዓቑበ ሰሎሞናዊ-ስርወ ኣቕዚማ ናይቲ ክሳብ 1255 ዓ.ም. ዝገዝአ ስርወ-ዛጔ ፈላሚት ምስ ኰነት እዩ ኢጋጢሙ ዝነበረ።

ካብ'ቲ ብዝፍለ ግና፡ እዚ ብ "ውስማስ" እተጋህደ ጣልቃ፡ ዕድመኡ ሓጺር እዩ ዝነበረ። ምኽንያቱ ብድሕር ሞቱ እቶም ሽማግለታት ዳግም ብዘጽደቕዎ እገባብ-ተወራረስ፡ ዝፋን-ንግስነት ናብቶም እባላት ሕጋዊ-ስርወ እዩ ተመሊሱ። ከምዚ'ሎም ድማ እከታቲሎም፥

ዳዊት 4ይ(እድባር-ሰገድ) ወድ-እያሱ 1ይ፡ ካብ 1714 ዓ.ም. ክሳብ'ቲ ብመርዚ ተቐቲሉ ዝሞተሉ ዕለት ማለት ክሳብ 1719 ዓ.ም. ኣብ ዝፋን ጸንሐ።

በካፋ፡ ካብ 1719 ክሳብ 1729 ዓ.ም. እዩ ነጊሱ።

ዳግማይ-እያሱ(ኣዳም-ሰገድ) ካብ 1729 ክሳብ 1753 ዓ.ም. ኣብ ስልጣን ጸኒሑ፡ ንሱ እውን ብመርዚ ተቐቲሉ ይበሃል። ኣደ ዳግማይ እያሱ ካብ ቀዳማይ ሓዳሩ እፋቲሓ፡ ንዝነበረት በዓልቲ-ቤቱን(ካብ ሓደ ልኡል ቤተ-ሰብ እምሓራ እትውለድ ወይዘሮ)/ክልተ ካብኣ ዝወለ-

ዶም ህጸውንትን/ኣብ«እምባ ገሸን»[3]ሓደራ፡ "ውቢት" ምስ እተባህለት መንእሰይ-ጋላ ኣዋሰበቶ። ውቢት፣ ጓሉ ንቲ «እርማጸ» እተባህለ መራሒ "የጁ" (ማለት እቲ ንበካፋ ካብ እምባ-ገሸን ብዘምለጠ፡ ዑቕባ-ረዲእትን ኩይንዎ ዝጸንሐ) እያ። ብድሕር'ዚ መውስቦ'ዚ፣ ውቢት፣ "በዛብሸ" ብዝብል ስም ጥምቀት ተገይሩላ ካብ ዳግማይ-እያሱ ሓደ ውላድ ወለደት። ንሱ እዩ'ውን ዮኣስ ብዝብል ስም፣ ወራሲ ዝፋን-ኣቦኡ ዝኾነ።

ዳግማይ-እያሱ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፥ከም ሳዕቤን ናይዚ መውስቦ'ዚ፥ጋላ ዝጸንሖም ሓይሊ ኣዝዩ ዕቢት ስለ ዝደለበ፡ እቲ ሃጸይ ኣብ ካልኣይ-ደረጃ ተሰሪዑ ፍርሒ ምስ ሓደሮ እዩ ብ 1750 ዓ.ም. ንራእሲ ሚካኤል ስሑል ካብ ትግራይ ጸዊዑ ንምስፍሕፋሕ "ጋላ" ደረት ክገብረሉ ዝወሰነ።

1753-1768 ዓ.ም. ኢዮኣስ ብሚካኤል ስሑል እዩ ተቐቲሉ።

1769 ዓ.ም. ዳግማይ-ዮሃንስ፥ ሓው በካፋ እዩ። ካብ እምባ-ገሸን ኣምሊጥካ ብዝብል ከሲ፣ በካፋ የማናይ-ኢዱ ኣቑሪጽዎ ነበረ። ብናይ ኢትዮጵያ ስርዓት-ተወራረስ ድማ ጉደሎ-ኣካል ኩነ ከቢድ ጉድኣት ዘለዎ መስፍን ካብ ዘውደ-ዝፋን ውጉድ ብምንባሩ፣ በካፋ ባዕሉ ስልጣን ንምብሓት እዩ እዚ እከይ'ዚ ተጣዚቡ። ሚካኤል ስሑል እዩ ግን ንዳግማይ-ዮሃንስ ከም ሕጹይ ናይቲ ዝፋን ኣቕሪብዎ ስለ ዝነበረ፣ ዝኣክል ተጣዚቑ ነቶም "ሸማግለታት" ዝበሃሉ መረጽቲ፥ «ሃጸይ ስልጣኑ ከዘውትር፣ ኢድ ከም ዘየድልዮ» ኣጠንቂቑ ከም ዝምረጽ ገበረ። ሃጸይ-ዮሃንስ ብዝነበሮ ሕመቕ-እከይን ይዝከር። ኩቲር ስንፍናኡ፣ እንጻር ጋላ ይኹኑ ይብሃሉ ኣብ ዝነበረ፣ ሕመቑ ንምሽፋን ይነብዕ ነበረ ይብሉ። ንሚካኤል-ስሑል ክቐትል ኣብ ውዲት ስለ እተረኽበ ራእሲ-ሚካኤል እዩ ብመርዚ ኣቕቲልዎ።

1769-1777 ዓ.ም. ተኽለሃይማኖት ዳግማይ፥ ኣብቲ እንጻር እቦኡ ዳግማይ-ዮሃንስ ዝወዓለ ናይ ቅትለት-ውዲት ተሓባባሪ ብምንባሩ፣ "ርጉም" ብዝብል ሳጓ ይዝከር።

1777-1782 ዓ.ም. ተኽለጊዮርጊስ 1ይ (*)[4]፥ ብስምምዕ ናይቶም ብድሕር ሞት ሚካኤል ስሑል፡ መጺኢ ዕድል ናይቲ ንግስነት ክውሕሱ ሃንቀውታ ዝነበሮም ራእስታት እዩ ተመሪጹ። ርሑቕ ከይከደ ግን መብዛሕትኦም ካብቶም ዝሰመይዎ ራእስታት ተመሊሶም ተቓወምዎ። ራእሲ-ሃይሉ በዓል ጎጃም እዩ ንውልቁ ኣማኒኡ ዝነበረ።

1782-1788 ዓ.ም. ህዝቅያስ (*)፥ ራእሲ-ሃይሉ ብዝሞተ፣ ራእሲ-ኣስራት እተባህለ ጸብለል ክብል ክኢሉ፡ ንጉንደር ወሪሩ- ንተኽለጊዮርጊስ ካብ ዝፋኑ ቀንጢጡ እዩ ንህዝቅያስ መረጽዎ። ህዝቅያስ 6 ዓመት እዩ ነጊሱ።

1788-1790 ዓ.ም. በኹዓ-ማርያም (*)፥ ኣስራት ብዝሞተ፡ ራእሲ-ወልደገብርኤል ዓብላሊ ኩይኑ ንሱ'ውን ንጉንደር ወሪሩ ንህዝቅያስ ቀንጢጡ፣ ንበኹዓ-ማርያም ኣብ ዝፋን ሰቐለ። ስልጣኑ ክልተ-ዓመት እዩ ጸኒሑ።

1790-1793 ዓ.ም. ዮሃንስ 3ይ (*)፥ ብራእሲ-ሃይሉ በዓል ባስታ እዩ ተሸይሙ። ን 3 ዓመት ክኣ ነጊሱ።

ኣብ 1793 ዓ.ም. ንቕሩብ ኣዋርሕ ዝነገሰ *ሰሎሞን* (*)፥ ብራእሲ የስላሴ ባርያ እተሸመ ወድ ተኽለሃይማኖት እዩ።

1794 ዓ.ም. ተኽለጊዮርጊስ 1ይ፥ ብራእሲ ገብሩን-ራእሲ ወልደስላሴን ተመሪጹ እዩ እንደገና ኣብ ስልጣን ተመሊሱ። ሓደ-ዓመት ጸኒሑ ድማ ብስራዊት ራእሲ-ወልደገብርኤል ተሳዕረ። ራእሲ-ወልደገብርኤል ግን ኣብቲ ዓውደ-ውግእ እዩ ተቐቲሉ። ሃጸይ-ተኽለጊዮርጊስ፡ ዝተረፈ ውሑድ ዕድመኡ "ፈላሲ" ኩይኑ እዩ ሓሊፍዎ።

ዓዲ ምቕ ክልተ-ዓመት ግዝእ ዮሓስ ቕሩብ-ኣዋርሕ " እገላ-ጽዮን ወይ ጊጃር	እዞም ሃጸያት እዚኦም ራእሲ-ጉግሳ ኣብ ዓድ-እምሓራ ን27 ዓመት ዝኣክል ጸብለል ኣብ ዝበለሉ እዋናት፣ ብኣኡ እዮም ተመሪጾም። ብ 1810 "ሶልት" ንካልኣይ-ጊዜ ኢትዮጵያ ኣብ ዝበጽሓሉ፣ እገላ ጽዮን ድር 14 ዓመት ብቕ ድመኡ እዩ ኣብ ስልጣን ጸኒሕዎ።	1794 1831

3- *እምባ-ገሸን፣* ደቅ-ተባዕትዮ ናይቲ ስርወ ዝሕየርሉ ቦታ እዩ ዝነበረ። ካብቶም ኣብዚ ቦታ'ዚ ተኣሲሮም ዝጸንሑ መሳፍንቲ እዮም ድማ እቶም ዓበይቲ-ዓዲ ናይቲ ንግስነት፣ ወራሲ-ዝፋን ዝመርጹ ነይሮም። እዚ እምባ'ዚ ከም «እምባ-ባኽሪ» እውን ይፍለጥ።

4- እዞም ብ(*)ተመልኪቶም ዘለው ሃጸያት፥ዝነበሮም ዝፋን ብ ካልእ ሃጸይ ኣብ እተተካእሉ እዋናት፥ጥና ብዘይወቶም ዝነበሩ እዮም።

1831-1834 ዓ.ም. ኢያሱ ሳልሳይ፥ ወድ-ሰሎሞን እዩ።

1834- ? *ገብረክርስቶስ* | እዞም ክልተ-ሃጸያት፥ ራእሲ-ዓሊ ወራስ-ዝፋን ከነሱ፡ ገና ኣብ
? ? *ሳህለ ድንግል* | ዕሸል-ዕድመኦ ብምንባሩ ኣዲኡ *ወይዘሮ-መነን* ብዘሕደረቶ ጽልዋ
እዮም ተመሪጾም። ክሳብ'ቲ ሃጸይ-ተድሮስ ኣብ ዝፋን ዝመጸሉ እዋናት ድማ፡ መነን እያ ናይ'ቲ ንግስነት ገበረት-ሓዳጊትን ዝነበረት።

" ኣርኖ-ኣባዲ " እተባህለ ዳህሳሲ ብ 1838 ዓ.ም. ንዓድ-ሓበሻ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን፡ ሳህለ-ድንግል ድሮ ካብ ዓመታት ኣትሒዙ እዩ ሃጸይ ዝብል ሽመት ለቢሱ ጸኒሑ።

ንክልተ-ጊዜ ዝኣክል ብራእሲ ዓልን-ኣዲኡ እተገ *መነን* ብሰሳሕታ፡ ዕልዋ ተዝቢርሉ ከብቅዕ፡ *ሳህለ-ድንግል* እንደገና ኣብ'ቲ ዋጋኡ ዘጥፍአ መዓርግ-ግርማውነት ክምለስ ክኣለ። እዚ ክኸውን እንከሎ ግን፡ ኣብ ልዕል ህዝቢ፡ ንሱ ክሳብ ዝህሉ፡ ጥሚት ኮነ/ ሕማም-ተለገብ/ ክጠፍእ ምኺኑ ዝኣመሰለ ዘመተ እናተኻየደ፡ ዋና ዝነበረ ዕላማ ንሱ ኣብ ዝፋን ክሳብ ዝህሉ፡ «እንዳ-ጉግሳ» ስልጣን ተጓቲቡሎም ከም ዝጸንሕ ስለ ዝኣመኑ እዩ። ከም ዝመስሎ፡ ዓሊ ኮነ- መነን ኣዲኡን፡ ብድሕሪ ሃጸይ ሳህለ-ድንግል፡ ካልእ ዮሃንስ እተባህለ ሃጸይ እውን መሪጾም ነይሮም እዮም። ብዛዕባ'ዚ ግን፡ ብዘይካ ነታ ሽማግለ መነን ከም እተመርዓወን- ሳህለ ድንግል ብ 1840 ዓ.ም. ካብ ዝፋኑ ምስ ተቐንጠጠ ከም እተመርጸን እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ክረኽቦ ዝኽእልኩ ሓበረታ የለን።

ዘርኢ-ትውልዲ ሰሎሞናዊ ስርወ፡ ናይ ባዕሎም ዝውንንዎ ሃብቲ-ጥሪት ብዘይምንባሮም፡ ኣብ ህልዊ እዋናት (ሸዑ)፡ ኣብ ኣዝዩ ድኻ መነባብሮ ኣብ ጐንደር ይነብሩ። በ'ቲ ወትሩ ልኡላውነቶም ዘይከሕድ ሓፋሽ-ህዝቢ ከቢሮምን-ብረዲኦቱን ይናበሩ። ዕድለኛታት እተባህሉ ሓድ-ሓደ ካብታቶም፡ ብመስመር ትውልዲ-ኣደ ዝወረስዎ ሃብቲ እንኪናበሩ፡ ገሊኦም ኣብ ብራና ኮነ ነጸላ-መንደቕ ቤት-መቕደሳት፡ ብስእልን/ ውቕረ-ምስልን/ ገለን ድማ ብድርሰት-ጥርናፈን መጽሓፍቲ፡ ድራር-ዕለቶም ይኸቱ። ኣብ ዓድ-ሓበሻ ብዘሎ ኣረኣእያ ድማ፡ እዞም እተጠቕሱ ሞያታት እዮም ን ማሕበራዊ-ደረጃኦም ዘመልከቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ህዝባዊ-ባህሊ ከም ዝኣምኖ «ሃጸያዊ-እንዳ» ዳግም ምትንሳኡ ከም ዘይተርፎ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ወለዶኦም ብዝተናወሐ ሓሳረ-መከራን ዕዳ መርገሙ ከፊሎ ልኡላዊ-ፍትሒ ምስ ተማልአ፡ ሓደ ካብ ኣባላቶም ንዝነበረ ዝፋን-ኣቦታቱ ክብ ኣቢሉ ንዝጸንሖ ጥንታዊ ሕገ-ቅዋማትን ህያውነት ብዘልበሰ፡ እ'ቲ ንዓድ-ሓበሻ ዝሳቐዩ ሕማማት እውን ብእኡ ኣቢሉ መፈጸ-ምታ ከም ዝግበረሉ ይኣምን።

ስርወ-ጉግሳ

****

ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን፡ ኣብ «የጁ» ይነብር ዝነበረ ኣብ ምስልምና ዝኣምን ሓደ ናይ ጋላ-እንዳ ሓርነቱ ኣረጋጊጹ ዕቤት ምስ ደለበ፡ ኣብ መላእ'ቲ ንግስነት ገባርን-ሓዳግን ክኸውን ክኣለ።

ካብዚ እንዳ'ዚ ብመጀመርያ ዝጥቀስ-ዝዝከርን ስም "ኣርማጸ" እተባህለ እዩ። ንሱ እዩ'ውን ኣብ *መጀመርያ ዓመታት ናይ 1700 ዓ.ም. ነ'ቲ በገፉ እተባህለ " መስፍን " ካብ «እምባ-ገሸን»* ብዘምለጠ፡ ዑቕባ-ረድኤትን ኣወፍዩሉ ዝነበረ። ብድሕሪኡ እዞም ዝስዕቡ ኣስማት ብምኽትታል ይቕጽሉ፥

ጓንጉል ወይ ጉለ—

ጊልሞ ወድ-ጉሎ እዩ።

ዓሊ፥ «ታላቅ» እውን እተባህለ፡ ነ'ቲ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር "ራእሲ-ቢትወደድ" ዝነበረ«ወረዳ በገምድር» ወረረ። እስላማይ ብምንባሩ ግን፡ ነ'ቲ " ራእሲ " ዝብል ሽመት ብንዕቀት ገዲፉ፡ "ኢማም " ዝብል ሽመት መረጸ። ዓሊ-ታላቅ ብዝሞተ፡ «እንዳኡ» እንደገና ንየጁ ተደፍአ። ዕድሉ ግን ዝያዳ በርኺቱ እንደገና ጸብለል ክብል ዝኽእለ፡ ኣብ ሳልሳይ-ወለዶኡ ብ ጉግሳ እዩ።

1791-1818 ዓ.ም. ጉግሳ-ጉግሳ-ጉብሳ ወይ ጎጂ ብዝብሉ መጸዋዕታ እዩ ኣብ እተፈላለዩ ኣውራጃታት-ኢትዮጵያ ዝፍለጥ ነይሩ። " ወለታ-ፍቅር " እተባህለት ጓል-ሃጸይ ተኸለጊዮርጊስ-1ይ ምስ ተመርዓወ፡ ንማለቱ ኣብ ክርስትና ኣመነ። እዚ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ንእስታት 30 ዓመት ኣቢሉ ዝጸንሐ ንግስነት ጉግሳ፡ ከም ዘመነ ሰላም-ጸጥታ-ምጡን ስርዓት-ተባሂሉ ይዝከር።

እለው ንዝበሃሉ ዓበይቲ ኣውዲቑ፡ ብቐሊሉ ዝርዳእን-ጥቕሚ ህዝቢ ዝውክልን ቅርጽታት ዘቕመ እዩ። ትሕዝቶ-መሬት ኣብ ጥንታዊ ናይ ሓባር-ዋንነት እተመርኰሰ ቅርጽታት ብምምላሱ ድማ፡ ጉግሳ ብሓፋሽ-ህዝቢ እተደገፈ እዩ ነይሩ።

1810- ? *ኢማም* ወድ-ጉግሳ እዩ። ንግስነት ናይቲ እቦኡ ዝመረጾ «ሃጸይ እገላ ጽዮን» (ጊዮርጊስ) ተቐቢሉ፡ ንቲ "ሓይሊ-ማርያም" መራሒ-ሰሜን ኲነ/ብወስን ዝውለድ ውላዱ ውቤን-ዘዓልዎ ናዕብታት ከሀድእ፡ እንጸርዎ ተላዒሉ ከም እተዓወተ ይፍለጥ። ኣብ ዝሰዓበ እዋናት ድማ ምስ ውቤ ዕርቂ ገበረ።

? - 1831 ዓ.ም. ማርየ ሓው ኢማም እዩ። ንሱ'ውን ከም ሓው ንእገላ-ጽዮን ከም ሃጸይ ተቐቢሉ፡ ንሓይሊ-ማርያምን/ ውቤን/፡ ኣብ እተፈላለዩ ግጥማት ሰዒርዎ። ብፍላይ ድማ ንውቤ ኣብ ኲናት «እንጩት ኲሓበ» ብዝሰዓረ፡ ምሳኡ ሓቢሩ እንጻር እስቢጋዲስ ንኽወፍር ብዝብል ኲነት ዕርቅን-ሰላምን ከም ዘወፈየሉ ዝዝከር እዩ። ማርየ፡ ኣብ ኲናት ደብረ-ኣባይ(ፈረስ-ማይ) እዩ ተቐቲሉ። ኣብዚ ኲናት'ዚ እዩ ድማ እስቢጋዲስ ተማሪኹ።

1831-1834 ዓ.ም. ዶሪ ሓው ማርየ እዩ። እያሱ 3ይ ወድ-ሰሎሞን ኣብ ዝፋን ዝነበረሉ እዋናት እዩ፡ ዶሪ ከም ወራሲ ማርየ ተሰይሙ። ዶሪ-እያሱን 3 ዓመት ድሕሪ ምስያሞም፡ ዳርጋ ኣብ ሓደ እዋን እዮም ሞይቶም።

1834-1853 ዓሊ፥ ወድ-ዶሪ እዩ። ብድሕሪ እያሱ 3ይ- ገብረክርስቶስ- ሰዒቡ ድማ ሳህለ ድንግል ኣብ ስልጣን ዝመጽሉ እዋናት እዩ ዓሊ ነብኡ ተኪእዎ። ዓሊ ግን ኣብ ንእስ-ዕድመኡ ብምንባሩ፡ ወይዘሮ-መነን እተባህለት ኣዲኡ እያ ንዓኡ ወኪላ ተመሓድር ዝነበረት። መነን፡ "እቴጌ" ዝብል መዓርግ መታን ክትለብስ፡ እስዒባ ምስ ዳግማይ-ዮኣስ እያ ተዋሲባ።

ዓሊ ብ 1841 ዓ.ም. ዕድመኡ ብዝኣኸለ፡ ካብ ውክልና ኣዲኡ ተላቒቑ ኣብ እተጠቕሰ ዓ.ም. ን "ውቤ" ኣብ ኲናት «ደብረ-ታቦር» ሰዓረ። ዓሊ ንማለቲ ድእ ካብ ውክልና ኣዲኡ ተላቒቑ ይበሃል እምበር፡ ፖሊቲካዊ-መሪሕነትሲ ብግብሪ፡ መነን እያ ተመሓድሮ ዝነበረት። ዳግማይ-ዮኣስ ብዝሞተ፡ ንሃጸይ ሳህለ-ድንግል ካብ ዝፋኑ ቀንጢጣ፡ ምስቲ ንማለቲ ኣብ ደረጃ ሃጸይ ክብ ዘበለቶ ዮሃንስ ተመርዓወት። ከምዚ ዝኣመሰሉ ካብ ናይ ምባል ዝምባለን- ናይ ውዲት ምህዞን- ከም ፍሉያት ማላለዮ መነን ይጥቀሱ።

ነቲ ትውልዱ ዘይተነጸረ፡ ብናይ ኲናት ጥበባት ግን ዓቢ-ዝና ዘትረፈ ደጊያት ካሳ በዓል-ቋራ ምስ ጓል-ወዳ(ጓል ራእሲ-ዓሊ) ከም ዘዋሰበቶ ይፍለጥ። ኣብ ዝሰዓበ እዋን ግን ንዓኡ እውን ስለ ዘቐየመት፡ ካሳ እንጻር ዓሊ ኲናት ከቲቱ ኣብ መፋርቕ 1853 ዓ.ም. ብዝሰዓረ፡ ኣብ «የጁ» ንክዕቆብ ኣገደደ።

ካሳ ብስም *ተዎድሮስ-1ይ* ሃጸይ ምስ ተባህለ፡ ንመነን ኣብ ጕንደር ክትነብር ፈቐደላ። ኣብዚ እውን ክሳብ 1863 ዓ.ም. ሓይልን-ክብረትን ዓቲባ ጸንሐት።

ስዩመ-እግዚኣብሄር ዝበሃሉ ነገስታት

****

<u>**ተዎድሮስ፥**</u> ሰራዊታት ኣምሓራ-ትግራይን ብሰርወ ጉግሳን/ ደጊያት ውቤን/ ተመሪሖም ሓድ-ሕድ ኲናት ገጢሞም ኣብ ዝነበርሉ እዋናት፡ ሓደ ካብቶም «ዕድሎም-ንቕድመእም» ዝበልናዮም ማእሪራን ተፈላጥነት እናደለበ፡ ክብ እናበለ መጺኡ።

ደጊያት ካሳ በዓል-ቋራ፡ ኣብ ክባቢታት ቀላይ-ጻና እዩ ዝነብር ነይሩ።

ካብ ትሑት ቤተ-ሰብ ድእ ተወልደ እምበር፡ ቆራጽነት- ብልሒ- ካብ ናይ ምባል ዝምባለስ፡ ብእኹል እዩ ተዓዲልዎ። እዚ ተውህቦታት'ዚ እዩ'ውን ን ራእሲ-ዓሊ ጥርጣረን/ ከም መጠን እመሓዳሪ ናይቲ ጕረቤቱ ዝኾነ ወረዳ ድማ፡ ቅልውላው ኣሕዲሩሉ። ስለ'ዚ እውን ብኢጋ ምቕንጻሉ ወሰነ። ነዚ ደጊያት-ካሳ እውን እተገንዘቦ ቅልውላው ራእሲ-ዓሊ ዘብእሰ ግና፡ እቴጌ መነን እደ-ዓሊ(ናይ ሓቂ ጕይታ ናይቲ ንግስነት) ኣብ ልዕሊ ካሳ ተዘውትሮ ዝነበረት ንዕቀት በጫን፡ እዩ እነሃሊርዎ።

ካሳ፡ ብ 1847 ዓ.ም. እንጻር ዓሊ ተላዒሉ፡ ኣብ ኲናት እውን ምስ ሰዓረ፡ እቴጌ-መነን ተቐላቢሩ ምስ ጓል-ወዳ(ምስ ጓል-ራእሲ ዓሊ) ኣዋሰበቶ። ጽልእም እናበእሰ ብዝኸደ ግና፡ ካሳ ነቲ ብራእሲ-ዓሊ እተላእከ ደጊያት-ጎሹ በዓል ጎጃም/እስዒቡ ድማ ን እልጋ'ሰፈረ-መስፍን ላሲታ፡ ከምኡ'ውን ንኩሎም'ቶም ፈተውቲ ሰርወ-ጉግሳ ዝኾኑ መሳፍንቲ፡ እከታቲሉ መኪቱ

ሰዓርም። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ መፋርቕ 1853 ዓ.ም.፡ ንራእሲ-ዓሊ ኣብቶም ኣብ የጁ ዝነበሩ እሙናት-ጋሻኡ ከዕቑብ ኣገደዶ።

ከም ባህርያዊ-ሕጊ እውን፡ ካብ ብዙረኸቦ ዓወታት፡ ቀጸሪ ተኸተልቲ በርከተ። እቶም ንዘደ-ኸመ ዓብላልነት-ጋላ ክጸወሩ ዘይከእሉ ወገናት'ውን፡ ምስኡ ሓበሩ። ቤተ-ክህነት ብምሉኡ፡ ድሮ ምስ ተድሮስ ምቅርራብ ጀኒሕዎ -ስርወ ጉግሳ ምስ እስላም ይተሓባበር እዩ ብምባል-ደጋፊ ካብ እዩ ዝነበረ። ኩሉ'ዚ ረቛሒታት ኣብ ኢዱ ብዘውሓሰ፡ ተድሮስ ሰልጣኑ ኣብ ምሉእ ዓድ-ሓበሻ ከረጋግጽ ከኣለ።

1855 ዓ.ም.፡

እንጻር ውቢ ተሳዒሉ ብ 15 የካቲት 1855 ዓ.ም. ኣብ «ደብረ-እዝጊ» እተባህለ ቦታ ማሪኹ ኣብቲ ዝሰዓበ መዓልቲ ንሞት ፈረዶ። ኣብቲ ዓውደ-ኩናት ኩይኑ'ውን ማንም ካብቶም ኣብ ዓድ-ሓበሻ እተራእዩ "ኩብለልቲ" ደፈርምዎ ብዘይፈልጡ ኣንባብ፡ ብእግዚኣብ-ሄር እተመረጸ ንጉሰ-ነገስት ናይ ኢትዮጵያ ዝብል ሽመት ንባዕሉ ለበሰ። ቅሩብ እዋናት ብድሕር'ዚ፡ ነቲ "መስፍን-ሸዋ" ተባሂሉ ብዘመነ-ውቢ ሓርነቱ እዊጁ ብመንግስቲ-ፈረንሳይ እውን ተቐባልነት ረኺቡ ዝጸንሐ "ባህለ-ሰላሴ" ኣብ ኩናት ስዒሩ ምስ መለኸ፡ ብግብሪ ጉይታ መላእ ዓድ-ሓበሻ ኩይኑ፡ ኣብ ጉንደር ን መራሕቲ ወረዳን/ መራሕቲ ስራዊትን/ ቤተ-ክህነት/ ን ዓቢ ጉባእ ጸዊዑ፡ *ተድሮስ-1ይ* ብዝብል ስም ዘውዲ-ሃጸይ ደፍአ-1856 ዓ.ም.-

እቶም ብሰሜናዊ-ክፍሊ ፈለግ ተከዘ ዝርከቡ ዓድታት ግን፡ ነዚ ፍጻሜ'ዚ ብጽቡቕ-መንፈስ ኣይተቐበልዎን። "ደግያት-ንጉስ" እተባህለ ወድ-ሓው ንውቤ፡ ብሁሓት ተኸተልቲ ደቂ-ትግራይ ጠርኒፉ- ፈረንሳይ ብዝገበረሉ ናይ ሓገዝ መብጽዓ ተተባቢዑ- ብ 1856 ዓ.ም.፡ «ንጉስ-ትግራይ» ዝብል ሽመት ንባዕሉ ለበሰ። ፈረንሳይ ብንግስነቱ ኣሚናምን/ እተመባጽዕዎ ሓገዝት ኣብ ግብሪ ከውዕሉን/ እቲ ንክፍላታት-ኢትዮጵያ ብዝያዳ ዝቀራረብ ብሉጽ ምግግም-ዙላ/ ደሴት-ድሰይ/ ተዋህቦም።

ተድሮስ እንጻር ንጉስ ምስ ተላዕለ፡ ብድሕር ሓያል ጉዕዞን- ምንስሓብን- እተፈላለዩ ግጥማት (ኣብ ሓደ ካብ'ዞም ግጥማት እዮም "ፕላውደን" ኩነ "ቤል" እተባህሉ ክልተ ንተድሮስ ከገልግሉ ዝጸንሑ እንግሊዛውያን፡ ተቐቲሎም) እዩ ብ 1861 ዓ.ም. ስዒሩ፡ ክቐትሎ ክኢሉ።

ፈረንሳይ ብ 1862 ዓ.ም. ንግስነት-ተድሮስ ኣሚኑ "ለ-ጃን" እተባህለ ኣብ ባጽዕ ዝነበረ ቆንስላኡ፡ ብወግዒ ናብ ተድሮስ ለኣኸ።

1863 ዓ.ም.፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል ዕቤት ብዝደለበ፡ ተድሮስ ኣብ ቀጸሊ ደግዊ-ናዕብታት፡ ብዊካን/ ውልቀ-ምልክን/ ገዝአ። ብ 1863 ዓ.ም. "ኪሕሳይ-ተምቤናይ" እተባህለ ካብ ዘርኢ ሚካእል-ሲሑል፡ ጉይታ-ዓድዋን/ዝበዝሐ ክፍለ-ወገን ትግራይን/ ኩይኑ፡ ብግሁድ እንጻር ተድሮስ እኳ እንተዘይተሰለፈ፡ ርእሱ ዝኸኣለ "መስፍን" እዩ ዝነበረ።

"ተድላ-ጓሉ" እተባህለ በዓል ጎጃምን/ "ዋግ ሹም ጎባዜ" መስፍን-ላስታ/ እዮም ድኣ ብግሁድ እንጻር-ተድሮስ ተላዒሎም ዝነበሩ።

እንግሊዛውያን፡ መሓዙትን- ጸግዒ ተድሮስን ኩይኖም ኣብ ቤተ-መንግስቲ ወግዓዊ ወኪል'ኳ እንተነበርም፡ ምኽንያቱ ብልክዕ ዘይፍለጥ ሃጸይ-ተድሮስ ን "ካመሮን" እተባህለ ናይ ብሪጣንያ ቆንስላን/ ክልእት ምሳኡ ዝነበሩ ወታሃደራት-እንግሊዝን ("ፕሪዶ" እተባህለ ትልንቲ ዝነበረሉ) "ፍላድ" እተባህለ ሚስዮናውን፡ ኣሰርም።

1867 ዓ.ም.፡ መንግስቲ-እንግሊዝ ሓራ ንኽልቀቑ ዝገበር ናይ ሰላም ፈተነ ብዘይምዕዋቱ፡ ብሓይሊ ክፈትሖ ወሲኑ ነቲ ኣብ እዋናት ጽድያ 1867 ዓ.ም. ዘበገሶ ወታሃደራዊ-ውዋን ኣብ ምድላው ኣተወ። ስለ'ዚ እውን ካብ ዓድ-ህንዲ እተላእከ ክፍለ-ሰራዊት ብሪጣንያ፡ ኣብቲ ን ክበሳ ዝቀራረብ ምፋጽ-ብሉጽን ገማግም ዙላ ዓረደ።

እንግሊዛውያን ኣብ ኣርባዕተ-ወርሒ ዝኣክል ጊዜ፡ 19 ኪ.ሜ. ራሕቂ ዘለዎ መንገዲ-ባቡር ሃኒጾም፡ በዚ እቢሎም ብዝጠዓመ ኣገባብ-ፍጥነትን ነቲ ናይ ገማግም ሙቒታት ሰጊሮም፡ ኣብቲ ብዝሒ ማይ/ ምጡን ኩነታት-ኣየር ዝርከቦ እምባታት ክበሳ ንምውጻእ እዩ ዝነበረ መደቦም።

1868 ዓ.ም.፡ "ሰር-ናፒር" እተባህለ መራሒ ናይቲ ተልእኾ፡ ብ 3 ጥሪ 1868 ዓ.ም. ኣብ እተጠቕሰ ወደብ ዓረፉ፡ ምሕዝነት ካሳ-ተምቤናይ ኣረጋጊጹ፡ ብድሕር ቅሩብ እዋን ንክበሳ ገጹ ተጓዕዘ። ክልቲኦም ብወርሒ የካቲት ኣብ «ዓድ-ግራት» ርክብ ገበሩ። ብድሕር'ዚ፡ እቲ ጭፍራ ብፍጥነት መንገዱ ቀጸሉ(ካብ ዙላ ን መቅደላ ዘሎ ራሕቂ፡ 650 ኪ.ሜ. እቢሉ ይግመት)፡ ብ 10 ሚያዝያ ኣብ ሞንጎ ሰራዊት እንግሊዝን- ሰራዊት ተድሮስን ኩናት ተላዒሉ፡ ሰራዊት ተድሮስ ተሳዒሩ ወጸ። ኣብ ዕራርቦ ናይቲ ዕለት'ቲ፡ ንግስቲ ናይ ወሎ-ጋላ ኣብቲ እንግሊዝ ዓሪዶምሉ ዝነበሩ ቦታ፡ ንምሕዝነት ናብ "ሰር-ናፒር" ቀረበት። ብዕለት 11 ተድሮስ

ብኹሉም ተራሕራሑ በይኑ ብምትራፉ፣ ኣብ መቕደላ ተኸቢቡ ን "ትልንቲ-ፕሪዶን" ኩን/ ነቲ "ፍላድ" እተባህለ ሚስዮናውን፣ ብመሰረት እዚ ዝኸተል ውዕላት ዕርቂ ክዛተዩ ለኣኾም፥

- ናይ ኤውሮጳ ጸብለልታ ኣሚኑ እሱራት ክለቅቕ-
- ምስ እንግሊዝ ናይ ምሕዝነት ውዕል ክፍጽም።

ናፒር ብወገኑ፣ በሪ-መቕደላ ንሰራዊት እንግሊዝ ክኸፍትን/ ተድሮስ ብዘይ-ኩነት ኢዱ ክሀብን ናይ ህይወት ውሕስነትን- ዝኣክል ክንክን ክግበረሉን- ዝኣመሰሉ መጠንቀቕታ ኣቕረበ።

ንምሸቱ ተድሮስ ንዝተገብረሉ መጠንቀቕታ መልሲ ከይሃበ፣ ሓደ ክፋል ናይቶም እሱራት ለቒቑ፣ ንማሕረዲ ዝኸውኑ እንስሳ ንገጸ-በረከት ኣቕረበ። እንግሊዛውያን ግን በዚ ክይተደናገሩ ኣብ ውሳኔኦም ስሚሮም፣ ብዘኸውሓ ንዕለት 13 ናይቲ ወርሒ'ቲ ረፍዲ ከይሓለፈ መልሲ ክዘበሉ ተቓጸሮም። ብዕለት 12 እንደገና ተድሮስ መልሲ ከይሃበ፣ ካልኦት እሱራት ኤውሮጳውያን ለቐቐ። ኣብቲ ዕለት'ቲ ድማ፣ ኣይእሙናትን ንዝበሎም 400 ዝኣኸሉ ካብ ተኸተልቱ ብ ኣጻድፍ መቕደላ ኣጽደፎም። ብዕለት 13 ኣብ ረፍዲ፣ እንግሊዝ ከም ቆጸራኦም ንመቕደላ ወረርዎ ኣተዉ። ተድሮስ ኣብ ናይ መቕደላ ኣደባባይ(ፕያጻ) ሞይቱ ተረኽበ። ቅድሚ ቅሩብ ሰዓታት እዩ ህይወቱ ብኢድ ጸላእቱ ከይማረኽ፣ ብሽጉጥ ባዕሉ ነብሱ ቀቲሉ። ብ 23 ሚያዝያ ድማ፣ ሰራዊት-እንግሊዝ ናይ ምምላስ መንገዲ ሓዘ።

ናፒር ኣብ ናይ ንቕሎ-ጉዕዞ ኣብ ቅድመ-ግንባር፣ኣብ መልሲ ድማ ኣብ ድሕረ-ግንባር ኮይኑ ሰራዊቱ እናመርሐ ብ 24 ግንቦት፣ ሰንዓፈ ኣተወ። ኣብዚ'ውን ናይ መወዳእታ ጊዜ ምስ "ካሕሳይ-ተምቤናይ" ተራኺቡ፣ 1500 እንፊልድ እተባህሉ ጠበንጃን-መዳፍዕ-ጠያይት-ምግብን ካልእ ስንቅን ብብዝሒ ኣወፈየሉ።

ብ ዕለት 13 ሰነ፣ ሓደ'ኳ ካብ ሰራዊት-እንግሊዝ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኣይተረፈን።

ተድሮስ፣ በዓል ደባን ሕብረ-ቆርበት ይኹን'ምበር፣ ግሩም ስብኣይ- ብርግጽ ደም-እገው ዝነበሮ እዩ። ኣብ ዝፋን ንግስነት ብዝመጸ፣ ብድሕር ጓል-ዓሊ "ጥሩነሽ" ምስ እተባህለት ጓሉ ነቲ ንሱ ዘቕተሎ ውብ ተዋሲቡ፣ «እተጌ» ኢሉ ሰምይዋ ነይሩ እዩ። ጥሩነሽ ምስ ውላዳ ብሰራዊት-እንግሊዝ ተማሪኻ፣ ኣብቲ ናይ መልሲ-ጉዕዞ እያ ሞይታ።

ዮሃንስ፥

ብድሕሪ ሞት ተድሮስ፣ ዓድ-ሓበሻ ንሰለስተ-ዓመት ዝኣክል ኣብ ምሉእ ፋሉልነት ኣተወ። ዋግ-ሹም ጉበዜ እተባህለ «መስፍን-ላስታ» ካብ ዘርኢ ስርወ-እስተር ወይ ስርወ-ዛጔ፣ ሓይሲ ደሲቡ ነቲ ንግስነት ተበጅዎ።

ምኒሊክ (ዳግማይ-ምኒሊክ) ብወገን-ኣደ፣ ኣገልጋሊት ካብ ዝነበረት ጋላ እኳ እንተተወልደ፣ ወድ-ወዱ ን "ሳህለ-ስላሴ" ብምንባሩ፣ ንጉሰ-ነገስት ኢሉ ተሸመ። ራእሲ-ኣዳል ጉይታ-ጎጃም ብወገኑ፣ ነጻነቱ ኣወጀ። ብሰሜን-ተከዘ ድሮ እቕዲሙ እቲ ብመስመር-ኣቦ ምስ ራእሲ ሚካኤል ስሑል- በዲኡ ድማ ምስ እንዳ-እስባጋዲስ ዝዛመድ ልጅ-ካሳ ነጻነቱ ተወናዚፉ እዩ ጸኒሑ።

ኣብ "መልፋ" (ተምቤን) ተወሊዱ ሓይሊ ደሲቡ፣ ዓብላልነቱ ብእተፈላለዩ መራሕቲ-ትግራይ ቅቡል እዩ ዝነበረ። ብ 1863 ዓ.ም. ድሮ ጐይታ-ዓድዋ ኮይኑ ብግዙድ'ኳ ንተድሮስ እንተ-ዘይተቓወመ፣ ካብኡ ነጻ ናይ ምኻን እዩ ዝነበረ ዝምባለኡ።

ሰራዊት-እንግሊዝ ኣንጻር ተድሮስ ኣብ ዝመደብዎ መጥቃዕቲ፣ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ብምንባሩ፣ እንግሊዛውያን እዮም ክምቲ ድሮ እተጠቕሰ፣ ኣብ እግረ-መልሶም፣ ዘመናዊ-ጠበናጁን/ መዳፍዕን/ ስንቅን፣ ብዝኣክል ኣስኪቖም ንዮሃንስ ከብ ክዝል ደጊፎም።

እንግሊዛውያን ካብ ኢትዮጵያ ብዝወጹ፣ ምኒሊክ ኣብ እተኸየዱ ፍጻሚታት ምንም ተበግሶ ከይወሰደ ጸኒሑ ክሰሉ፣ ንግስነት ይግባኣኒ ኢሉ ንዘቕረቦ ጠለባት፣ ናይ ዋግ-ሹም ጉበዜን (ሰብኣይ ሓውቱ ንካሳ)/ ካሳን፣ ኣብ ግምት ከየእተወ፣ ነቲ ሃገር ኣብ ክልቲኦም ተኸፊልዎ። ካሳ፣ እቲ ብሰሜን ፈለግ-ተከዘ ዝርከብ መሬት ክወስድ፣ ጉበዜ እቲ ብደቡብ ናይ እተጠቕሰ ፈለግ ዝርከብ መሬትን- ብመሰረት ስምምዖም ድማ ኣብ መቕደላ ብስም ተኽለጊዮርጊስ-፲ይ «ሃጸይ» ተባሂሉ ዘውደ-ዝፋን ደፍአ። ካሳ እውን ብወገኑ ከም ስምምዖም፣ «ንጉሰ-ትግራይ» ተባህለ። ነዊሕ ከይጸንሑ ግን፣ ኣብ ሞንጎኦም ምፍሕፋሕ ተላዕለ።

ተኽለጊዮርጊስ፣ ሃጸያዊ-ስልጣኑ ኣብ ልዕል ካሳ እውን ክዘውትር ፈተነ። እዚ ግን፣ ኣይተቐበ-ሎን። ስለ'ዚ ተኽለጊዮርጊስ ነዚ ንምትግባር፣ 60-ሽሕ ሰባት ዝሓዘ ሰራዊት ኣኸቲቱ ንትግራይ ተላዕለ። ሰራዊት ካሳ፣ 12-ሽሕ ሰባት ዝግመት'ኳ እንተኾነ ቀጽሮም፣ ኣባላቱ፣ ትብዓት ኮነ ቆራጽነት ዘላልዮም/ ንትግራይ ድማ ከምቲ ኣብ ሕሉፍ ንዝሑሕ ክፍለ-ዘመናት ማእከል-ሓይሊ ንግስነት ኢትዮጵያ ኮይኑ ዝጸንሐ፣ ዳግም ንምምላሱ ብታሕጓስ ዝመኮሩ ሓርበኛታት እዮም ዝነበሩ። ብዘይካ'ዚ፣ ዓቕሚ ተኹሲ-ብረት እውን፣ ብወገን-ካሳ እዩ ዝዘለ ሚዛኑ።

1871 ዓ.ም.፥ ብ 14 ሓምለ 1871 ዓ.ም. ኣብ ከባቢታት-ዓድዋ ኹናት ተኻይዱ፡ ተኽ-ለሃይማኖት ተሳዒሩ-ተማሪኹ፡ ብትእዛዝ ዮሃንስ ብርሃን-ዓይኒ ተኸልአ። ምስ ዓወረ እውን ንዝያዳ ርግጽነት፡ ኣብ «እምባ-ሰላማ» ተሓይሩ፡ ብድሕር ቅሩብ እዋን እዩ ሞይቱ- 1872 ዓ.ም.።

ብ 21 ጥሪ ናይቲ ዝሰዓበ ዓመት፡ ካሳ ኣብ «ኣኽሱም» ብስም *ዮሃንስ 4ይ-ንጉሰ-ነገስት ዘ-ኢትዮጵያ፡ ስዩመ-እግዚኣብሄር* ዝብል መጸዋዕታ ሃጸያዊ-ኣኽሊል ደፍአ። ብድሕር'ዚ፡ ኣንጻር'ቲ ሃጸይነቱ ዘይተቐበለ «ራእሲ-ኣዳል» በዓል ጎጃም ተላዕለ። ብዝመለኾ ድማ፡ ብልቡና ምሕረት ገዛሩ፡ ብ 1875-76 ዓ.ም. "ተኽለሃይማኖት" ብዝብል ስም፡ ንጉስ ናይቲ ዓዲ ከኸውን ፈቐደሉ።

ኣብዚ እዋናት'ዚ ግብጻውያን ብ "ሽርኽር-ሙዚንገር" ተደፋፊኦም ን ቦጎስ ድሕር ምውራር፡ ኣብ'ቲ ዮሃንስ ስልጣኑ ንምድልዳል ዝነበሮ ጸገማት ተገንዚቦም፡ ትግራይ ንምውራር እውን ይህቅኑ ነይሮም እዮም። ብደቡብ ድማ፡ ንምኒሊክ ንጉስ ሸዋ ኣንጻሩ ክለዓል የተባብዑ ነበሩ።

ዮሃንስ ንግብጻውያን ብመጀመርያ ኣብ ጉዳ-ጉዲ(ከባቢታት-መረብ) ብሕዳር 1875 ዓ.ም.፥ ቀጺሉ ድማ ኣብ ጉራዕ ብ 7 መጋቢት 1876 ዓ.ም. ኹናት ገጢሙ ሰዓሮም። ብድሕር'ዚ ንደቡብ ገጹ ኣምሪሑ ንምኒሊክ መለኸን፡ ተማእዚዙ ኩይኑ'ውን ግብሪ ክግብርን ኣገደዶ። ንወሎ-ጋላ መሊኹ ን "ራእሲ-ዓሊ" እተባህለ መራሒኦም፡ ሚካኤል ብዝብል ስም ክጥመቕ ኣገደዶ። ቀጺሉ ድማ ኑቶም ካብ ሱዳን እተላዕሉ «ድርቡሽ» ደጋጊሙ ካብ "መተማ" ክውጽኦም ከኣለ።

1885-89 ዓ.ም.፥ ብወርሒ የካቲት 1885 ዓ.ም. ሰራዊት-ኢጣልያ ባጽዕ ወረረ። ብወርሒ ጥሪ 1887 ኣዛዝ-ሰራዊት ዝነበረ ራእሲ-ኣሉላ ኑቲ ኢጣልያ ኣብ«ጸዓቲ» ዝሃነጾ ዕርዲ ከጥቅዕ ፈቲኑ፡ ተደፍአ። ንጽባሒቱ ግና ብ "ደ-ክሪስቶፎረስ" እተመርሐ ክፍለ-ሰራዊት ብሃንደበት ኣብ «ተድዓሊ» ተጠቕዐ። ኣብ ወርሒ ሕዳር ናይቲ ዓመት "ሳን-ማርጻኖ" እተባህለ ክፍለ-ሰራዊት ካብ ኢጣልያ ተላኢኹ ንወደብ-ባጽዕ ኣተወ።

ዮሃንስ፡ 60-ሽሕ ዝግመት ሰራዊት ኣኸቲሉ፡ ንኢጣልያውያን ካብቲ እንደገና እተመልስዎ ዕርዲ-ጸዓቲ ክደፍኦም ንማለት፡ ካብ ከሰላ ወረደ። ኹናት ክይገጠመ ብምስሓቡ ግን፡ ንመጀመርያ ጊዜ ሓይሉ ለጠቕ ይብል ምንባሩ ዘረድእ ኣብነት እዩ ዝነበረ። ምኽንያቱ ድማ፡ ብድሕር'ዚ'ውን እንተኾነ፡ ኣንጻር ምኒሊክ ተላዒሉ ክብቶዕ፡ ብሓይሉ ስለ ዘይተኣማመነ፡ ካብዚ ግንባር'ዚ እውን ሲሒቡ ኑቶም ን "መተማ" ወሪሮም ንግእክል ዓድ-ሓበሻ ሓደጋ ዝኾኑንዎ ድርቡሽ ምጥቃዕ መረጸ። ብ 9 መጋቢት 1889 ዓ.ም. ንሰለስተ-መዓልቲ ዝቐጸለ፡ ሓያል ኹናት ተኸፍተ። ብዕለት 10 ናይቲ ወርሒ'ቲ፡ዮሃንስ ከቢድ መውጋእቲ ተወጊኡ፡ ኣብ መንበሩ ተቐሚጡ ን *መንገሻ* ክም ብወሰን እተወልደ-ውላዱ ምዃኑ ኣሚኑ፡ ኑቶም ህልዋት ዓበይቲ-ዓዲ(ራእሲ-ኣሉላ/ራእሲ-ሚካኤል/ራእሲ-ሓጐስ/ኣቡና-ጴጥሮስ/እቸጌ-ተዎፍሎስ)ወራሲ ናይቲ ንግስነት ክኸውንን-ክምእዝዝዎ ኣማሕጺኑን፡ ብድሕር-ቅሩብ ዓረፈ።

ኣብቲ ዝሰዓበ መዓልቲ፡ ሰራዊቱ ተገማሚዑ፡ መንገሻ ንተምቤን ገጹ ሰሓበ።

<u>ምኒሊክ-ዳግማይ፥</u> እንዳዊ-ትውልዲ ናይቲ ኣብ ህልዊ-እዋናት(እዚ መጽሓፍ'ዚ እተደ-ርሰሉ እዋን) ብ«እግዚኣብሄር እተመረጸ ንጉሰ-ነገስት» ዝበሃል ዳግማይ-ምኒሊክ፡ ኣይኰነንዶ ዘርኢ ናይቲ ን 3000 ዓመት ዝእክል ኣብ ኢትዮጵያ ገዚኡ ዝበሃል ሰርወ ከኸውንሲ፡ *ግእዛዊ-ደም* እውን ዘይብሉ እዩ። ጋላ እዩ ትውልዱ። ኣዚ ወለዶ'ዚ ዝመርሖ ድማ፡ ብ 1615 ዓ.ም. እተወልደ፡ ብታሪኽ ኣጸቢቑ ዝፍለጥ "ፋሪስ" እተባህለ ኩብላሊ፡ ካብ ዘርኢ-ኦሮሞ እዩ። ካብ ሓንቲ ጓል-ፋሪስ እዩ ብድሕር-ሾሞንተ ዝፍለጥ ወለዶ እዚ ህልዊ(ሽዑ ማለት እዩ) ሃጸይ ዓድ-ሓበሻ፡ በዚ ዝኸተል መስመር-ትውልዲ ዝውለድ፥

1615 ዓ.ም.	ራእሲ...............	ፋሪስ.................ዝሞተሉ ዕለት	(?)
	ወ/ሮ...............	ስነበለት.............. " "	(?)
		ንጉሲ................. " "	1703 ዓ.ም.
		ሰባስቴ................ " "	1718 ዓ.ም.
	መርእድ ኣዝማች....	ኣቢጀ................. " "	1742 ዓ.ም.
		ዓምደ-የሱስ..........ዝሞተሉ ዕለት	1773 ዓ.ም.
		ኣስፋ-ወሰን........... " "	1807 "

ኣሕዋት............	ወሰን-ሰገድ..........	"	"	1811	"
	ሳህለ-ስላሴ..........	"	"	1847	"
	ሃይለ መለኮት........	"	"	?	

ንጉሰ-ነገስት.........ምኒሊክ-ዳግማይ...... ኣብ ዝፋን ዘሎ።

ፋሪስ፥ ራእሲ ዝብል መዓርግን ምምሕዳር ወሎ-ጋላን እተዋህቦ፡ ብፍታው ሃጸይ ሱሰንዮስ ኮነ/ እቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ዓድ ሓበሻ ዝርትን-ሓደግትን ዝነበሩ «ጀዙዊቲ» እተባህሉ ናይ ፖርቱጋል-ሚሲዮናውያን እዩ። እዚ ስልጣን'ዚ እተፈቕደሉ ድማ፡ ካሕሳ ናይ ዘወፈዮ ኣገልግሎት(ከም ኣብነት፡ ንዝመለኾም ህዝብታት ብፍታው ይኹን ብሓይሊ፡ ናይ ጥምቀት-ስርዓት ስለ ዘገደደ) ተባሂሉ እዩ።

ብድሕር-ሞቱ፡ "ሰነበልት" እተባህለት ጓሉ ከም ኣቦኣ ካቶሊካዊት ብምንባራ፡ በቲ ጸረ-ጀዙዊቲ ተላዒሉ ካብ ምሉእ ግዝኣቱ ዘባረሮም ሃጸይ ባዚሊደ-ዳግማይ ወይ ፋሲሊዳስ ክትህደን ጀኒሓ፡ ኣብ ሞንን መንዝ/ጅዝየ ተዓቚበት። ኣብኡ ድማ ምስ ከምኣ ጋላ ተዋሰበት። ብዛዕባ በዓል-ቤታ፡ ኣዝዩ ሃብታም ምንባሩን- መሰረቲ «እንዳ ምኒሊክ» ዝኾነ "ንጉሲ" እተባህለ ውላድ ምውላዱን እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ዝፍለጥ ነገር የለን።

ንጉሲ ከምቶም "ዕድሎም ንቕድመኦም" ዝበልናዮም ማእረሩን፡ ኮብላሊ እዩ ዝነበረ። ግዙፍ-ሰራዊት ኣኪቡ፡ ኣብ ዘመነ ንግስነት ሃጸይ-ዮሃንስ-1ይ (1665-1680 ዓ.ም.- ወራሲ ሃጸይ ፋሲል እዩ።)/ ታቦር/ ደብዳቦ/ መንግስት/ ማከፋድ/ ዶቋኺት/ እተባህሉ ወረዳታትን-ምሉእ ሃገር ኣሩሲ-ጋላ ወረረ። ብድሕር'ዚ ድማ፡ ዘመተኡ ንሰሜን ገጹ ኣምርሐ።ሃጸይ እያሱ-1ይ(1680-1704 ዓ.ም.) ግን ነቲ ድፍኢት ከዐግስን "መኸተም" እተባህለ ወርቂ ኣኽሊል ኣበርኪቱን ነቲ ምስፍሕፋሕ ክዐድኦ ክኣለ። ንጉሲ ግን ንጉስ-ሸዋ ተባሂሉ ክስመ እዩ ዝነበረ ትምኒቱ።

ብ 1703 ዓ.ም. ንጉሲ ብዝሞተ፡ *ሰባስቲ* እተባህለ ውላዱ እዩ ወሪሲኡ። ሰባስቲ እውን ኣሰር ኣቦኡ ተኸቲሉ -ዕድሉ'ውን ጸቢቑ- ብዘይካ'ቲ ዝወረሶ፡ ካልእ ወረዳታት ወሪሩ ንሱ'ውን ንጉስ ተባሂሉ ክስመ እዩ ነይሩ ሃንቀውታኡ

ናይ ሸዋ ኢትኖግራፍያዊ-ቅርጺ(ማለት ቅርጺ ናይቶም ዝነብርዎ ህዝብታት) ተለዊጡ ናብ ጋላ'ኳ እንተ'ዘምበለ፡ ብኣንጻሩ፡ ብመሰረት'ዚ እዩ እቲ ሃጸይ ነዚ ሃገር'ዚ ብናይ ኦሮሞ-ስርወ ክመሓደር ዘይፈቐደ። ስለዚ እውን እቲ ዝሓተቶ መዓርግ ምስ ተነጽጎ፡ ሰባስቲ ብወገኑ ማብረ-መንግስቲ ካብ ምኽፋል ተቖጠበ። ኣበጀ እተባህለ ወድ-ሰባስቲ ግን ነቦኡ ብብረት እንተ ዘይ-ቃወሞ፡እቲ እተወስደ ስጉምቲ ኣብ ዘይተርፍ ኩናት እዩ ዝነበረ ኣንፊቱ። ኣብ ሞንጎ ኣቦን-ወድን ኣብ እተገብረ ኩናት ድማ፡ ሰባስቲ እዩ ተዓዊቱ ንወዱ ማሪኹዎ። ስዒቡ ግን ምሕረት ገይሩ ለቒቑ። እቲ እከይ-መስፍን ድኣ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ እደግና ኣንጻር-ኣቦኡ ተላዕለ እሞ፡ ሰባስቲ ብድሕር 15 ዓመት ግዝኣቱ፡ ብ 27 የካቲት 1718 ዓ.ም. ኣብ ኩናት «ሸዋ-ሜዳ» ተሳዒሩ ተቐትለ።

ሃጸይ እያሱ-1ይ ኣብ ሞንጎ እቶም፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል ድፍረት ክቐጽዕ ንማለት፡ ሓያል-ሰራዊት ኣኸቲሉ ንሸዋ ተላዕለ። ምንም-ነገር ከይፈጸመ ግን፡ ብኣንጻሩ ድኣ ነቲ ገዳይ-ኣቦኡ እተባህለ ኣበጀ "መርእድ-ኣዝማች"(ኣዛዚ ድሕረ-ግንባር) ናብ ዝብል መዓርግ ክብ ኣቢልዎ ተመልሰ።

ኣብ ዝኾነ ዝፋን-ንገስታት ዘገልግሉ ኣዝመርቲ(መዘምራን)፡ ኣብ ኩሎም ሃገራት ተመሳሳሊ-ኣገባብ ስለ ዝኽተሉ፡ ኣብዚ ኣጋጣሚ'ዚ እውን ኣበጀ ካብ ዝፈጸሞ ቅትለት-ኣቦኡ ሓራ ንምውጻእን/ ድኹመታት ሃጸይ-እያሱ ንምሽፋንን/ ቅያ-ታሪኽ ተማዘዙ። ከም ዝብልዎ ድማ፡ እያሱ ንኣበጀ "መርእድ-ኣዝማች" ዝብል መዓርግ ዘልበሰ፡ መልክዩም ተመሳሳሊ ብምንባሩ፡ ንባዕሉ እያሱ ነታ ስዒባ ሰይቲ ሰባስቲ ዝኾነት፡ ኣቕዲሙ ከም ዘእተዋን፡ ካብኣ ድማ እዚ ኣበጀ እተባህለ ውላድ ከም ዝወለደን ስለ ዝኣመነ እዩ፡ ተባህለ ያኢ።

ኣበጀ፡ 24 ዓመት ገዚኡ ብ 12 የካቲት 1742 ዓ.ም. ኣንጻር ካራይዘው-ጋላ እናተዋግአ እዩ ሞይቱ።

ዓምደ-የሱስ እተባህለ ውላዱ እዩ ወሪሲኡ።

እቲ እዋን'ቲ፡ ሃጸያዊ-ስልጣን ዘንቄልቄለሉ እዋናት እዩ ዝነበረ፥

- *ትግራይ፡* ብናይ ገዛእ-ርእሱ መራሕቲ ዝመሓደር፡ ነጻ ኮይኑ እዩ ዝነብር ነይሩ።
- *ኣምሓራ፡* ብጋላ እዩ ፈጺሙ ተገዚኡ።

- *ባሲታ፣* ኣዝዩ-ጥንታዊ ዝኾነ ርእሰ-ምምሕዳሩ ዓቲቡ፣ *ጎጃም* እውን ኣብ ትሕቲ ራእስታቱ፣ ነዚ ዝመስል ምምሕዳር ተኸተለ።

ኣብ "ጐንደር"፣ ጽላሎት ናይቶም ኣባላት ሰሎሞናዊ-ስርወ ዝበሃሉ ሃጺያት እናተወራረሰ፣ ከከም ፍቶት መራሕቲ-ኣውራጃታትን/ብብልሓት/ብዕድል/ብሓይሊ/ ንጊዜኡ ክዕብልሉ ናይ ዝኸኣሉ ኰብለልቲ ግዳያት ኰይኖም፣ ክዛነን-ሰጠቕን(ክብ ክብሉን-ክውገዱን-ክቕተሉን) እናበለ ክመጽእ እዩ ጸኒሑ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፣ *ዓምደ-የሱስ* ን 31 ዓመት ዝኣክል ኣብ ሸዋ ብሰላም-ገዚኡ ኣብ ኢጋ-ሞቱ፣ *ኣስፋ-ወሰን* ንእተባህለ ውላዱ እዩ ስልጣን ኣመሓላሊፉ።

ብ 1807 ዓ.ም. እዚ'ውን ብዝሞተ፣ *ወሰን-ሰገድ* እተባህለ ውላዱ እዩ ወሪሲኡ።

ወሰን-ሰገድ፣ ተኺታሊ ሃጸይ-ተኽለሃይማኖት ብምንባሩ ኣንጻር'ቲ ናይ ወሎ-ጋላ ራእስን/ ኣመሓዳሪ ኣምሓራ/ናይ ግምቢ ሓላፊ(ራእሲ-ቢትወደድ)/ዝበሉ ሽመት ጠቕሊሉ ዝነበረ ራእሲ-ጉግሳ እዩ ተሰሊፉ ዝነበረ። ብ 1811 ዓ.ም. ብሓደ ኣገልጋሊኡ ምስ ተቐትለ እዩ ትምኒታቱ ዓሪፉ።

ሳህለ-ስላሴ እተባህለ ሓው መንእሰይ ወድ 18 ዓመት እዩ ወሪሲኡ። ነዚ ስልጣን'ዚ ዝወረሰ ሳህለ-ስላሴ ግና፣ ን ደቅ-ወሰን ሰገድ ኰነ/ ንዝዓበዩ ኣሕዋቱ ጠሊፉ እዩ። ንዝዓበዩ ኣሕዋቱ፣ ክሳብ'ቲ ዝሞተሉ ዕለት -ጥቅምቲ 1847 ዓ.ም.- ፈላልዩ ብመቕሕ ሓይሩ እዩ ኣጽኒሒ-ዎም። ኣብ ጻዕረ-ሞቱ፣ካብ እተኣሰርሉ ቦታ ለቒቑ-ኣጸዊዑ ብዝፍጽሞ ገበን ተናሲሑ ምሕረቶም ሓተተ። ብዘይካ'ዚ ድማ፣ ሕጋዊ-ኣገባብ ውርሻ ምስ ዝጠሓስ፣ ከመይ ዝበለ መርገም ኣብ ህዝቢ ከም ዝወርድ ገሊጹ፣ ንሕዋቱን- ንቶም ኣብ ቅድመኡ ዝቐረቡ ዓበይትን- ንመጻኢ እዋናት እዚ ሕግ'ዚ ምእንቲ ጥቕም-ህዝቢ ብጥንቃቐ ክኽበር ከም ዝግባእ ተላበዎም።

እዚ እናበለ ግን፣ ኑቲ ዝበዝ ወድ 22 ዓመት ዝዕድመኡ *ሃይለ-መለኮት* እተባህለ ውላዱ እዩ ከም ወራሲኡ መሪጽዎ ሓሊፉ።

ሃይለ መለኮት፣ ድሮ ኣብ ንእስነቱ ሓደ ዘይልሙድ ኢጋማሚ ኣጓኒፍዎ እዩ ጸኒሑ።

ዕድመኡ 15 ዓመት እቢሉ ይኸውን፣ ሓደ ምሸት ኣብ ግዚ-እንዳቦኡ በዓል ተገይሩ ኣብ ዝነበረሉ ኢጋማሚ፣ ብጠጅ ኰነ ኣረቂ ኣምስዩ- ንመዳቕሶኡ ብዘምረሐ፣ ዳርጋ ንብሱ ኣይፈትድን ዝነበረ። ብስኽራን። ኣብ መንገዲ ንፍንንፍ ሓንቲ ካብ ኣገልገልቲ-ኣዲኡ ብዚጋጠመት ድማ፣ ብስጋ-ተራኺቡ። እተጠቕሰት ኣገልጋሊት፣ " እጋጁ " እተባህለት ጋላ፣ ኣብ ትሑት ናይ ኣገልግሎት-ስራሕ እተወሰነት፣ መልክዓ ዘየብሀግ ክነሱ፣ ኣብ ክንዲ ንዚጋጠማ ዕድል ብሓበን ምቕባል፣ ብምስጢር ድኣ ንባዕላ ሓዘቶ። ሃይለ-መለኮት እውን፣ ከምኡ።

ብድሕር-ቅሩብ እዋርሕ ግን፣ ሳዕቤን ናይቲ እተፈጸመ ስጋዊ-ርክብ፣ ምሕባእ ተሳኢኑ ግሁድ ንፍስ-ጾርነት ኰይኑ ኣብ እተራእየ፣ እታ ሞራላዊ-ትረ/ ዓቃብነት/ ዘላሊያ ኣደ'ቲ መስፍን፣ ነታ ኣገልጋሊት ብዛዕባ ኩነታታ ተወከሰታ።

እጋጁ ብፍርሒ፣ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጠማ ተናስሐት። ኣብ መጀመርያ፣ እቲ ዝኾነ ነገር እሚኒ ኣይረኸበን። ስዒቡ ግና፣ ብጻያ እውን ክሕተተሉ ብዘመልከተት፣ ክልቲኦም ስብ-ጉዳይ ኣብ ቅድም'ታ ንግስቲ ቀረቡ። ሃይለ-መለኮት፣ ኑቲ ዝኾነ ኣይከሓደን። እየግዳስ ኢሕፈርዎ ድኣ ብሰሓቕ ካብ ወላዲቱ ተፋነወ።

ፍረ ናይዚ ኣብ ሞንጎ ሃይለ-መለኮትን/እጋጁ እተባህለት ኣገልጋሊትን እተፈጸመ ጾታዊ ርክብ፣ እንባቢ ተገንዚብዎ ከም ዝህሉ፣ እቲ ኣብ ህልዊ-እዋን(ሽዑ ማለት እዩ) ብ *ስዩመ-እግ-ዚኣብሄር* ዝብል መጸዋዕታ ከም «ንጉሰ-ነገስት ዘ-ኢትዮጵያ» ዝፍለጥ፣ *ሃጼ-ምኒሊክ* እዩ ዝነበረ።

* * * * * * * * * *

አብ ዘመነ ንግስነት ዳግማይ-ምኒሊክ፡ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ዕለታት፥

2 ግንቦት 1889 ዓ.ም. - ምኽታም ውዕል-ውጫሌ።

1 ጥቅምቲ 1889 ዓ.ም.- ምጽዳቕ እተጠቕሰ ውዕል ኣብ ሮማ(ኢጣልያ)።

3 ሕዳር 1889 ዓ.ም. - ምኒሊክ ኣብ እንጦጦ ዘውዲ ዝደፍኣሉ ዕለት። ወግዓዊ-ልኡኽ ኢጣልያ ከም እተሳተፈ እውን ዝዘከር እዩ።

6 ታሕሳስ 1889 ዓ.ም. - ውዕል-ውጫሌ ን ሓያላን-መንግስታት እተመሓላለፈሉ ዕለት

14 ታሕሳስ 1889 ዓ.ም.- ምኒሊክ ብወግዕን- ብዘይ ሞንጎኛን[5] ንናይ ጀርመን-ንጉስ ኮነ ንፕረሲደንት ረፑብሊክ-ፈረንሳ፡ ኣብ ንግስነት-ኢትዮጵያ ዝነበሮ ልኡላዊ-ስልጣን፡ ዘረጋገጸሉ ዕለት።

3ይ- ምልከታ

እንዳ-ናይብ

ናይ «ፖርቱጋል-ሚስዮናውያን» ኣብ ዝጸሓፍዎ ጽሑፋት፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ጠረፍ መሬት-ኢትዮጵያ፡ ብሰሜን ናይቲ ሎሚ ብ "ሓባብ" እተሃዘበ ከም «ባከላ» ወይ ባግላ ዝፍለጥ ኣውራጃ፡ ዝነበረ "ንግስነት-በለው" ብዙሕ ይዝረብ።

"ኣባ-ሎቦ" እተባህለ ካህን ከም ዝጠቕሶ፥ «....ንግስነት-በለው፡ ብቕድም ሰዋኪን ይርከብ። ህዝብታት በለው፡ እስላም/ተባዓት ተዋጋእትን እዮም። ኣንጻር ቱርኪ እተናውሐ ቃልሰን-ደማዊ ውግኣትን ኣካይዶም ካብቲ ብዘራ(ዶጋና)-ሰዋኪን ዝኣቱ እቶት፡ ማዕረ ክምቀሉ ኣገደድዎም። ንጉስ-በለው ዛጊት(1632-33 ዓ.ም.) ኣብ ሰዋኪን ናይ ባዕሉ መኮንናትን/ ግብሪ ዘስገድዱ ሓለፍትን ይርከብዎ። እተጠቕሰ መስፍን፡ ሃብታም እዩ። ወርቂ-ብሩር ብብዝሒ ይውንን። ዓቢ-ንግዲ እውን የዋፍር እዩ፡ ብሕልፊ ኑቲ ኣብቲ ሃገር ዝእለም-ዓለባ፡ እቶም ጸለምቲ፡ ብኣዝዩ ክቡር ዋጋ ይገዝእዎ.....»።

ኣባ-ሎቦ እንደገና ኣብ ካልእ ወገን፡ ብከምዚ ይቕጽል፥ «....ንግስነት-በለው ምስ ንግስነት ዓድ-ሓበሻ እውን ንግዳዊ-ለውጢ ነይርዎ እዩ። ካብዚ'ውን ዓበይቲ መኽሰባት የዋህልል...»።

ታሪኽ ኣመጻጽኣ ነገድ-በለው፡ ደጊም ኣሰራቱ ኣይረኸብናን። ብርግጽ ግን፡ ሓደ ካብቶም ጥንታውያን ነገድ ናይቲ ዞባ ምዃኖም ይፍለጥ። ምናልባት ንሶም'ውን ሓደ ጨንፈር ህዝቢ ግእዝ ከይኮኑ ኣይተርፉን። ባህሎም ከም ዝዝከር፡ ካብ ሃገር-ዓረብ እዮም ንምብራቕ-ኣፍሪቃ ሰጊሮም። ብዘየጠራጥር እውን፡ ሰማውያን-ህዝቢ እዮም።

ኣብቲ ምስ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ተተሓሒዙ ቀረቡ ዘሎ ኣምሳል ናይ'ቲ ኣባ-ሎቦ ምስ ጽሑፋቱ ዘቕረቦ ጆግራፍያዊ- ስእሊ፡ ኣንባቢ ኣብ ላዕለዋይ ወገኑ ከምልከቶ ከም ዝኽእል፡ እቲ ብግዝምት ንግስነት-በለው ብወገን ደቡብ ዝጀምረሉ ሰፍሓት-መሬት ነጺሩ ይፍለ።

ብኣረእእያ መዚንገር -እነ(ደራሲ) እውን ዝድግፎ ሓሳብ- እዚ ብናይ ፖርቱጋል-ሚስዮናውያን ዝጥቀስ ንግስነት-በለው፡ ሃገር ናይቶም ኣብዚ ህልዊ እዋናት'ውን ከም በሉ- በዓዊ- በለው ዝፍለጡ ኣባላት ናይቲ ነገድ ከይኮነ ኣይተርፍን። እቶም ካብ ዘርኢ ናይዚ ነገድ'ዚ ዝተረፉ ኣባላት፡ ኣብ ምሉእ ኤርትራ'ኳ ብብዝሒ ፋሕ ኢሎም እንተተረፉ(ብሰሜን፡ ከም ልኡላዊ-ጉጅለ ነዊሕ እዋን ንብንዓምር መሊኹ ድሕር ምጽናሕ፡ ሎሚ ኣብቲ ናይ ምዕብላል ተራ፡ በቶም "ነብታብ" እተባህሉ ደርቢ'ኳ ይተካእ፡ ልኡል ደረጃኡ ዓቲቡ እዩ ተሪፉ። ብደቡብ

---

[5]- ፍሉይ ምልክታቱ ኢጣልያ ከም እተረድአ ኣገባብ-ኣተረጓጉማ ውዕል-ውጫሌ፡ ምኒሊክ ብዘይካ ናይ ኢጣልያ ሞንጎኝነት፡ ምስ ሃገራት-ኤውሮጳ ምርኻብ፡ ኣይፍቀዶን ዝነበረ። እዚ ጠንቅ'ዚ፡ ኣብቲ ሰዒቡ ኣብ ሞንጎ ኢጣልያን-ኢትዮጵያን ዝኣተወ ምፍሕፋሕ፡ ማእከላይ ኣርእስቲ እዩ ዝነበረ።(ኣተርጓሚ)

ድማ፥ ኣብ ዓድታት መረብ/ምላሽ- ከምቲ ኣብ ቀዳማይ-ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ እተጠቕሰ-ቤት መኻእ ኩነ/ጉልቲ ደቅ-ታዕስ ኣብ ወረዳ ደቃ-ተሰፋ ይውንን ነበረ።)፥ ከም ህዝቢ መጠንሲ፥ ህላወእም ጠፊኡ እዩ።

ኣብዚ ምልክታ'ዚ እንደገና ብዛዕባ ነገድ-በለው(በሉ-በላዊ) ምዝታይ ኣድላዪ ዝኾውን ዘሎ፥ ኣብ ታሪኽ ምድረ-ባሕሪ፥ ስለዚ'ውን ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፥ ሓደ ኣገዳሲ ዝኾነ ምጕት ንምምርማር እዩ። ምኽንያቱ ድማ፥ ከም ሳዕቤን ኣመጻጽኣ ወይ መበቆል ሕጋዊ-ምምሕዳር «ናይባት» እዮም ባሕረ-ነገስታት ነቲ ኣብ ገማግም-ባሕሪ ዝነበርዎ ዋንነት ኣዋፈእም፥ እቲ ከምኡ ዝበለ ስልጣን ናብቶም ብቱርኪ ዝድገፉ ናይባት ክመሓላለፍ ክኢሉ።

እዚ ክመይ'ሉ ከም ዝኾነን፥ "በለው" ድማ ከመይ ዝበለ ተራ ከም እተጻወቱን፥ «ጀይምስ-ብሩስ» ኣብ መጀመርያ-ክፍሊ ናይ 3ይ ቅጺ(VOLUME) ጽሑፋቱ (ኣብ ሓድ-ሓደ ጥቕስ-ታት)፥ ጽቡቕ ገይሩ ይገልጾ እዩ።

ትሕዝቶኡ ተተርጕሙ፥ ከምዚ ዝስዕብ ይግለጽ፥

> «....ባጽዕ፥ ከምተን ካልኦት ኣብ ምዕራባዊ-ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ዓድ-ታት፥ ብቱርኪ እተወረረ፥ ኣብቲ "ሲናን-ፓሻ" ን «ኣራብያ-ፈኒቾ» ዝወረረሉ እዋናት፥ ማለት ኣብ ዘመነ-ንግስነት ሰሊም በዓል-ቆስጣንጢኖፖሊስ እዩ።
>
> እታ ከተማ ኣብቲ እዋን'ቲ፥ ኣዝያ ዕምብብቲ እያ ዝነበረት። ምስተን ኣብ ከባቢ «ወሽመጥ ባብ-እል-መንደብ» ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ/ ምስ ሃገር-ህንዲ ንግዳዊ-ንጥፈታት የካይዳ ዝነበራ ወደባትን፥ ወደብ-ባጽዕ እውን ሓደ ተራ ዝነበሮ ነቝጣ እዩ ነይሩ።
>
> ባጽዕ፥ መጠርነፊ ናይቲ ካብ እምባታት-ትግራይ ብብዝሒ ይውሕዝ ዝነበረ ሃላኺ-ነገራትን፥ ንባዕሉ ድማ ካብቲ ኣብ ገምገም-ባሕሩ ካብ ብሉጽ-ማያቱ ዝግፈፍ፥ ኣዝዩ ፍሩይ ዝኾነ ሉል ዘፍረ ወደብን እዩ ዝነበረ። ብከምዚ ድማ፥ እቲ ብሉጽ ሃላኺ-ነገራትን/ውሕስነት- ርግጽነት ወደቡን/፥ ነቲ ዛጊት(1768-1773 ዓ.ም.) ኣብ ባጽዕ ዘሎ ጸገም ዋሕዲ ፈልፋል-ማይ፥ ይትክእ ነበረ።
>
> ከሳብ'ቲ ንግዲ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝዓምበበሉ እዋናት፥ ደሴት-ባጽዕ፥ መራኸብን-መመላለስን ብዙሓት-ህዝቢ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ።
>
> ኣብ ትሕቲ "መግዛእቲ-ቱርኪ" እዩ ኣገዳስነት ወደብ-ባጽዕ ተዳኺሙ።
>
> ብዘይካ'ቲ ብ «ጸንፊ ጽቡቕ-ተስፋ» ምሕላፍ፥ እተረኸበ ሓድሽ መስመርን፥ ፖርቶጋዘውያን ኣብ ምብራቕ ዘቕምዎ ትካላትን- ቱርኪ እዮም ነቲ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ፥ ምስ ሃገር-ህንዲ ዝጸንሐ ንግድ ኣዳኺሞም፥ ንዛጽዕ ዓቢ ማህሰይቲ ኣኸ-ቲሎምሉ።
>
> ቱርኪ፥ ኣብ መጀመርያ፥ ኣብ መሪሕነት ምምሕዳር ባጽዕ ሓደ "ፓሻ" ኣቐሚጦም፥ ብገዝቶለለ መንገዲ ንዓድ-ሓበሻ ምውራር እዩ ዝነበረ መደባቶም። እዚ ግን፥ ውጽ-ኢት ኣይረኸበን። ዕላማእም፥ ኣብ ውሽጢ-መሬት ዓድ-ሓበሻ ዝነበረ ናይ ንግዲ-መትንታት ምዕብላልን/ ምብሓትን ዝኣመተ እዩ ነይሩ። እዚ ግምታዊ-ውጥን'ዚ ምስ ፈሸለ ግና፥ እቲ ኣብ ደሴት-ባጽዕ ዘዋፈርዎ ርእስማል፥ ዘይተመጣጠነ ኮይኑ ረኺብዎ።
>
> እዞም ወረርቲ ህዝቢ ባጽዕ ኣብ ዝሓዝሉ(1527)፥ " በለዊ " እተባሀሉ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ቀቢላ እዮም ተሓባበርቶም ዝነበሩ።
>
> በለዊ፥ ሓደ ክፋል ናይቶም ኣብ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ካብ መበል 14° lat. Nord (North Latitude)- ክሳብ እግሪ እምባታት ሓባብ ኣብ ዝርከብ ቦታ፥ ብመጓሰ ዝነብሩ ህዝብታት እዮም። እዚ ቀቢላ'ዚ ንዘወፈየሎም ኣገልግሎት ንምኽሓስ፥ ቱርኪ ንመራሒ በለዊ ሲቪላዊ-ምምሕዳር ባጽዕ ኣማሕጺንዎ። ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ድማ፥ ኣብ ባጽዕ ዝነበረ መራሒ «ናይብ» ዝብል ሽመት ለቢሱ።
>
> ኣብ ዝሰዓበ እዋናት መዝነት ፓሻ ምስ ኣብቀዐ፥ ዋላ'ውን ንምስሉይነት ዓመታዊ-ግብሪ ን «ቱርኪ-ኦቶማን» እናኸፈለ ከም ወከሊኡ ኮይኑ እንተቐረበ፥ ብሓቂስ ናይብ እዩ ጕይታ ናይቲ ደሴት ዝነበረ።
>
> እቶም ካብ መጀመርያ፥ ንሓለዋ ናይቲ ደሴት ተባሂሎም ብቱርኪ ተላኢኾም ኣብኡ ዓሪዶም ዝነበሩ ክፍለ-ሰራዊት(መብዛሕትእም ተወላዶ-ኣልባንያ)፥ ኣብኡ ተሪፎም፥ ብቱርኪ እዮም ደሞዝ ዝኸፈሉ ነይሮም። ኣብቲ ዓዲ ምስ ዝነበራ ኣንስቲ ተዋሲቦም ድማ፥ እተወለዱ ደቆም ንዝነበረ ስራሕ ኣቦታቶም ወሪሶም ንሰም'ውን ብቱርኪ

> እዮም ዝኸፈሉ ነይሮም። ኣብ ዝሓጸረ እዋን ግን እዚ ሚሊሻ'ዚ እተሓናፈጸ ኣካል ኰይኑ፡ ዳርጋ ኣብ ምሉእ ባጽዕ ተዛመደ። ከምዚ'ሉ እውን ብዘይካ ብ ናይብ ብኻልእ-ስልጣን ምቕያድ ሓንገደ።
>
> ናይብ፡ ብሓደ-ወገን እቶም ተሓባበርቱ ዝነበሩ ቱርኪ ካብቲ ዓሪዶምሉ ዝነበሩ ሃገር-ዓረብ፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት የዝልቑ ምንባሮም ተገንዚቡ/ በቲ ሓደ ድማ፡ ሓይሊ ናይቶም ጸላእቱን-ቀረባ ጐረቤትን ዝኾኑ ሓበሻ እስተውዒሉ፡ ጥቕሙ በዞም ዳሕረዎት ከም ዝማላእ ኢይዘንግዖን።
>
> ምእንት'ዚ ድማ፡ እቲ ብበረ ወደብ-ባጽዕ ብመልክዕ ቀረጽ ዝርከብ እቶት፡ ንፍርቂ ምስ ንጉስ ዓድ-ሓበሻ ክማቐሉ'ሞ፡ እዚ'ውን ብግደኡ ን ናይብ ሰላም ክውሕስ ዝብል ስምምዕ ተገብረ።
>
> ኣብ ባጽዕ፡ ዝስተ-ማይ ፈጺሙ ኣይርከብን። ስንቂ እውን ካብ ከበሳታት-ኢትዮጵያ እዩ ዝኣቱ። «ሕርጊጎ» እውን ብወገኑ፡ ዝስተ-ማይ ድኣ ኣይስኣን እምበር፡ ስንቂ ንዝምልከት፡ ከምኡ እዩ ናብራኡ። እቲ ክዚብዎ ዝርከብ ሰፊሕ-ጐልጐል፡ «ምድረ-በዳ ሰምሃር» እዩ ዝበሃል። ፍርያት'ውን ኣይብቑሉን።
>
> ብዘይካ'ቶም ካብ ወርሒ ሕዳር ክሳብ ሚያዝያ ጥሪት-ከብቲ እናንስዩ ዝመጽዎ ጦርዓ- ዓሳውርታ- ሳሆ- ዶባ- ዝበሃሉ እተፈላሰዩ ኣሳገምቲ ቀቢላታት፡ ሰብ ኣይነብርን እዩ። እተጠቕሱ ቀቢላታት፡ ብእዋን እኽረማት-ክበሳ ንናይ ሰምሃር-ጐላጉል ለቒቖም፡ ንበረኸቲ እዮም ዝወጹ። ከምዚ'ሉም እውን ካብ መሬት-ናይብ ስለ ዝርሕቁ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ዓድ-ሓበሻን/ ባሕረ-ነጋስን/ እመሓዳሪ ትግራይን/ ይእትው ብምንባሮም፡ ማራሕቲ ናይዞም እተጠቕሱ ጆቢታት፡ እንጻር ናይብ ሰራዊት ክዋኸቱቲ በዞም ኣሳገምቲ ቀቢላታት ተጠቒሞም፡ ብቐሊሉ በቲ ንባጽዕ- ሕርጊጎ- ዝኣቱ ስንቂ ኣቢሉም ን ናይባት ክቆጻጸሩ ይኽእሉ ነበሩ።
>
> ዓድ-ሓበሻ ነዚ ኣገባብ ቁጠባዊ-ማሕነቕቲ ብዙሕ ጊዜ እዩ ተጠቒሙሉ። ከም ኣብነት ሃጸይ-እያሱ 1ይ፡ ሓደ ካብ ወኪላተይ ኣሲርካ ብማለት ን "ናይብ-ሙሳ"፡ በዚ ኣገባብ እዩ ቀጺዕዎ።
>
> ናይብ፡ በቲ ምስ ሓበሻ ዝመስረቶ ዝምድና ተኣማሚኑን- ምዝላቕ ቱርኪ ካብ ሃገር-ዓረብ ተገንዚቡን፡ ካብቲ ብመሰረት «ትእዛዝ-ፖርታ» ንናይ "ጅዳ-ፓሻ" ክኸፍሎ ዝጸንሐ ግብሪ፡ ብብቕሩብ ምግልጋል ፈተነ። ቱርኪ እዮም'ውን ንጅዳ ከም ወካሊኦም መሪጾም ዝነበሩ። ከም ሳዕቤን ናይቲ ሳዕቤናት ድማ፡ ናይብ፡ ነቲ ስልጣን ንማለቱ ተቐቢሉ ክብቅዕ፡ኣብ ክንድ'ቲ ልሙድ ዝጸንሐ ግብሪ፡ ዘይጠቕም ህያባት ኣብ ምልኣኽ ተወሰነ።
>
> ማዕረ'ዚ ድማ ቀጺሉ፡ ነቲ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝኣተወ ሕንፍሽፍሽ- ድኻማትን መዝሚዙ ን ንጉስ ክኸፍሎ እተመባጽሀ ማዕረ-ምቅሊት ቀረጻዊ እቶዋት ወደብ-ባጽዕ እውን፡ ነጸገ። ....»

ከምዚ'ሉ ዝጸሓፈ "ጀይምስ-ብሩስ" ብ 1768 ዓ.ም. ንዓድ-ሓበሻ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋናት፡ እቲ ሚካኤል-ስሑል ከም ዓቢ-ተዋሳኣይ ኰይኑ ዝመርሖ ዘመነ ዓበይቲ ምግምጋላት፡ ድሮ ተፈጺሙ እዩ ዝነበረ።

ሚካኤል-ስሑል ነቲ ኣብ ንግስነት-ኢትዮጵያ ገባርን-ሓዳግን ንምኺን ዝወሰዶ ተበግሶ ኣብ መፈጸምታ ክበጽሕ፡ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ሰራዊቱ ብምሉኡ እዩ ኣግዒዝዎ ዝነበረ። ብዘይካ'ዚ እውን፡ እቲ ብድሕር ቅትለት ሃጸይ-ዮኣስ ራእሲ-ሚካኤል ኣብ ዝፋን-ንግስነት ዝሰቐሎ ሃጸይ-ዮሃንስ፡ ዕድመኡ ልዕሊ 70 ዓመት ብምንባሩ፡ ህይወት ናይቲ ንግስነት ንዝእ-ርእሱ ዝኣክል ውሕስነት ኣይነበሮን። እቲ ራእሲ-ቢትወደድ እተባህለ ሚካኤል-ስሑል እውን ንባዕሉ ናብ 80 ዓመት ገጹ ይገማገም ብምንባሩ፡ ብእግሩ'ኳ ደው-ምባል ጽጉም እዩ ዝነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ናይብ ግን፡ ይሓድ-ይብዛሕ 48 ኰይኑ ዕድመኡ፡ ዓድ-ሓበሻ ዝነበሮ ድኽማት ተረዲኡ፡ ነቲ ኣብ ከበሳታት-ምስፍሕፋሕ ዝነበሮ መደባት፡ ኣብ ግብሪ ንምትርጓሙ ተበገሰ። ሚካኤል-ስሑል ግን ልኡኽ ልኢኹ፡ ናይብ ካብ ዝነበሮ ሕልምታት ክዕገስ፡ ምስ ዘይክውን ድማ፡ ን ሕርጊጎ ኮነ ባጽዕ ወሪሩ፡ ልክዕ ከም ሰምሃር ሰብ ከም ዘይነብረለን ገዚፉ ክጽንተን ምዃኑ ኣጠንቀቐ።

ከምዚ ዝበለ ፈኸራ፡ ነቶም ብዘመኑ ሚካኤል-ስሑል ዝበሎ ቃል፡ ኣብ ግብሪ ከም ዘውዕሎ እስተውዒሎም ንዝጸንሑ ወጻእተኛታት-ነጋዶ ኣሰናቢዱ፡ ገሊኦም ንዓድ-ዓረብ/ ገሊኦም ድማ ን ድባርዋ ከም ዘምልጡ'ኳ እንተገበረ፡ እቲ ናይብ፡ ኣይኮነንዶ ፈሪሑ ገንዘብ ክልእኽሲ፡ ነታ እንጻር ሚካኤል-ስሑል እተኣዕለት «ኩተማ-ድማሳ» ምርዳእ ድአ ቀጸለ።

ብዛዕባ ከተማ-ድግሳ እውን፡ ሓደ-ገጽ ካብቲ "ብሩስ" ዝደረሶ ጽሑፍ ምጥቃስ፡ ትምህርቲ ዝረከቦ እዩ። "ብሩስ" ከም ዝብሎ፥

«.....ብ "እምባ-ተረንታ" ኣቢልካ ን ዓድ-ሓበሽ ኣብ እትኣትወሉ፡ ሓላይ እታ ቀዳመይቲ ቁሸት ክትከውን እንከላ፡ ድግሳ እታ ቀዳመይቲ ከተማ እያ። ድግሳን እቲ ሰፋሕትን/ብዙሓት ቁሸታት ዘጠቓልል ወረዳኡን፡ ን "ባሕረ-ነጋሲ" እዩ ዝምእዘዝን፡ ሓደ ካብቲ ዝሓየለ ዕርድታቱን ዝነበረ። ኣብ ዝሰዓበ እዋናት ግን ባሕረ-ነጋሲ፡ ኣብቲ ቱርኪ ዘካየድዎም ኩናት ኰነ/ ኣብቲ ብምትእትታው ፖርቱጋል ዝሰዓበ ናይ ሓድ-ሕድ ውግኣትን፡ እንጻር-ጉይታኡ[6] ስለ እተሰለፈን፡ ቱርኪ እውን ብወገኖም ምስ'ዚ ወኪል'ዚ(ባሕረ'ጋሲ) ተሰማሚዖም ነቲ ኣብ ገማግም-ባሕሪ ዝነበረ ወደባት ምስ ወረሩን፡ ንግስነት ዓድ-ሓበሽ ነቲ ብኣመሓዳሪ-ትግራይ ክፍጸም ዝጸንሐ ወራራት ሽለል ኢሉ ክርእዮ ጀመረ'ሞ፡ እዚ ድማ (ኣመሓዳሪ ትግራይ)ነቲ ባሕረ-ነጋሲ ዝብል መዝነት በብቕሩብ ንባዕሉ ጠቕለሉ።

ድግሳ ብሓይሉ ተኣማሚኑ፡ ከሳብ ነጻነቱ ምእዋጅ በጺሑ። ብብዝሒ ድማ ብእስላም ስለ እተሃዘበ፡ ብስቱር መንገዲ ብናይብ እዩ ዝድገፍ ነይሩ።

ኣብ ዘመነ ንግስነት ዳግማይ-እያሱ፡ሚካእል-ስሑል ግዙፍ-ሰራዊት ኣኸቲቱ ንድግሳ ከበባ። ንዕቀት ብዝተሓወሶ መንገዲ ድማ፡ ሓደ ድንኪት ልኢኹ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ-ሰዓት ዝእክል ጊዜ እቲ ተቓማማይ-ህዝቢ ኢዱ ክስተልም ዝብል መጠንቀቕታኡ ኣፍለጠ። እቶም ተኸቢቦም ዝነበሩ ደቅ'ቲ ዓዲ፡ ካብ ናይብ ረዳት ክመጾም ብዝብል ተስፋ ተተባቢዖም፡ንሚካእል-ስሑል ካብ መጠን ንላዕሊ ብዘቕጠዐ ኣገባብ፡ ንወዮ ተካል ድንኪት ገሪፎም፡ ብውርደት ናብ ጉይታኡ መለስዎ።

ሚካእል፡ ነዚ ብድሆ'ዚ ዝነዓቐ ክመስል ካልእ መጠንቀቕታ ከይለኣኸ ነቲ እታ ከተማ ማይ እትሰንቀሉ ዒላታት፡ ብቀጻሊ- ሓያል ወታሃደራዊ ቍጽጽር ገበረሉ። እቶም ደቂ-ዓዲ ካብዚ ንምልቓቕ፡ እተፈላለየ ፈተነታት ገበሩ (ንኣብነት ካብቲ ከተማ-ድግሳ ዝርከበሉ በረኽቲ፡ ገዚፍቲ ደናጉላ ንቁልቁል ምንክራው...ወ.ዘ.ተ.) እዚ ግን፡ ነቶም ኣጽኒዖም ከቢቦም ዝነበሩ ሰራዊት ምንም ጉድኣት ኣየኸተለን።

ኣብ ሳልሳይ-መዓልቲ ናይቲ ከበባ፡ እቲ ህዝቢ ብዝገበሮ ፈተነ፡ ሓደ በርሚል-ማይ ክሰንቕ ከኣለ። ጽምእም ዘርወዩ ግን፡ ውሑዳት እዮም ዝነበሩ። ሰዒቡ ከአ ጽምኢ ምስ ኣጥቀዐ፡ ናብ ዒላታት ገጽካ ተጓየ ኰነ'ሞ፡ ብዙሓት ደቂ-ዓዲ ኣብቲ ዒላታት ዝርከቡሉ ቦታ ተቐትሉ። ዝተረፉ ድማ፡ ናብቲ ከተማ ገጾም ተደፍኡ። ብድሕር'ዚ እቲ ህዝቢ ኣላሽ ኢሉ ክምለኸ ምስ ወሰነ፡ ሚካእል-ስሑል እይኣክልን ንማለት ን ናይብ ይጽበ ምንባሩ ኣፍለጦም።

ጽምኢ-ማይ ኣስታት 700 ዝኾኑ ሰባት ብዝቐተለ፡ እቲ ዓዲ ንሓድሕዱ ተናወጸ እሞ፡ መንቀሊ ናይቲ ጠንቂ ተባሂሎም፡ 12 ሰባት ኣለው ካብ ዝበሃሉ ሹማምንቲ በቲ ዓዲ ተኸሲሶም ኣብ ቅድሚ ሚካእል-ስሑል ቀረቡ። ብዝተረከቦም ድማ ኣብ ጥቓ'ቲ ዒላታት ኣሕነቖም።

ከምዚ'ላ እተጠቕዐት ከተማ-ድግሳ ብምልእታ ምስ ተመለኸት ድማ፡እቶም ጽምኢ-ማይ ዘይቀተሎም ደቂ-ዓዲ፡ ብሰይፊ ሰራዊት ሚካእል-ስሑል ሓለፉ። ብድሕር'ዚ እቲ ራእሲ፡ ነታ ከተማ ን ናይብ ኣወፈያ። ......»

ድግሳ ጥራሕ እይኰነን ግን እወፍይሉ ዝለቐቐ። ምኽንያቱ "ብሩስ" እስዒቡ ከም ዝገልጾ፥

«...ሚካእል-ስሑል ኣመሓዳሪ ትግራይ(ትግረ-መኰንን ወይ ናይ ትግራይ ኣኹ-ባረ-ሕጊ፡ ወግዓዊ ሽመት መራሒ ትግራይ እዩ።) ካብ ዝነበረ ጥንታዊ-ግዝኣት ባሕረ-ነጋሲ፡ እቲ ደስ ዝበሎ ዋንነት እውን ዘረፉ ብምጽናሑ፡ ሓደ-ክፋል ናይቲ ንሱ ክመሓድሮ ዝጸንሐ ንእስ-ኩባቢ ሸይጡ፡ እቲ ዝተረፈ ክፋል ን ናይብ ብመልክዕ-ክራይ ኣረኪቡ፡ ካብ ንካልኣት ዕድል ምኽፋት፡ ዝያዳ እቶት ዘውሕስሉ መንገዲ እውን ኣረጋጊጹ እዩ ወጺኡ።

እቲ ብሓይሊ-ባሕሪ ቱርኪ ን ናይብ ከወሃቦ ዝጸንሐ ሓገዛት ብዘቋረጸ፡ ትግራይ ካብ ሓደጋ-ወራር ናይቶም ን ሰሊም- ሱለይማን- ዝወረሱ ቱርካውያን ዓረፈ።

---

[6]– እንባቢ ከምንዝዘ ከም ዝኸእል፡ ኣብዚ ንጥብ'ዚ "ብሩስ" ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ክገልግል ዝጸንሐ ፍሉይ ፖሊቲካዊ-ቅዋማት ኰነ/ ነቲ ንጉስ፡ ጉይታ ምኺንሲ ይትረፍ፡ ምስ ህዝብታት መረብ/ምላሽ ዝጸንሖ ናይ ምስሕሓብ ጠንቅታት፡ ዘዘንግዖ ይመስል።

> ከምዚ'ሉ ድማ ሚካኤል-ስሑል ጕይታ ናይቶም ብባጽዕ ከመሓደሩ ዝጸንሑ ዓድታት ኰይኑ፣ ናይ ስልጣን-ውክልናኡ ን ባሕረ-ነጋሲ ኣረከበ።
>
> እዚ ናይ ገማግም-ቦታ ተቓውሞ ኣብ ዘልዓለሉ ድማ፣ እቲ ስንቂ እናጨወኹ ምምብርካኹ ዝብል ሚላ፣ ኣብ ልዕል ከተማ-ባጽዕን/ ምምሕዳሩን/፣ ከምኡይሉ ቀጸለ። .....»

ካብዚ ብሓቂስ ድንጉር- ምዕሩይን ስርዓት ዘይሓዘ ጽሑፋት "ብሩስ" ነጺሩ ከም ዝርዳእ፣ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት-ከበሳ ብዝጸንሐ ዘይምስናይ ተጠቒሙ እዩ ናይቶ ስልጣኑ ከዘግስን-ከደልድልን ክኢሉ። ካብዚ ጽሑፍ'ዚ ግና ብተዛዋዋሪ፣ ምምሕዳር ባሕረ-ነጋሲ ይስሓቕ እውን ከመይ ከም ዝብረ ምርዳእ ዝከኣል እዩ።

ኣብ ካልእ-ክፍሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከም እተመልከትናዮ፣ ባሕረ-ነጋሲ ይስሓቕ ናይቶም ካብ «ጎኣ» ዝመጽእ ሓገዝ ከወፍይሉ እተመባጽዑ ናይ ፖርቱጋል-ሚስዮናውያን ተኸላኸሊ ብምዃን፣ እንጻር ሃጸይ ኣዳም-ሰገድ(1559-1563 ዓ.ም.) ተሰሊፉ ምንባሩ፣ ተጠቒሱ ነይሩ።

እዚ ናይ ሓገዝ መብጽዓ ኣብ ግብሪ ውዒሉ እንተዝኸውን፣ እቲ ኣብ ቀረባ እዋን እተኣወጀን-ብውሑድ ሓይሊ ዝቕመን ግዝኣት-ቱርኪ ኣብ ባጽዕ፣ ሓጺር ምኾነ ዕድመ-ዘንታኡ።

ናይ ፖርቱጋል-ሚስዮናውያን፣ ብኸዉ-መረብ ዝጽልኡ'ኳ እንተነበሩ፣ ብ ነጅኡስ ተቐባልነት ጸኒሑዎም እዩ። ናይ ሃይማኖት-ጉዳይ ብምዃኑ ግን፣ ካብ ዝነበሩ ተጻረርቲ-ወገናት መናዎ'ዩ በዓል ሓቂ ምውሳን፣ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ኣይምልከትን። ብርግጽ ክግመት ከም ዝከኣል ግና፣ እቲ ናይ «ጎኣ» ሓገዛት ተሳኢኹ እንተዝኸውን፣ ዕድመ ግዝኣት-ቱርኪ ኣብ ገማግም-ባሕሪ፣ ብኢጋ ምተኾልፈ'ሞ፣ በዚ ኣቢሉ'ውን እቲ ስዒቡ ዝመጸ ስልጣን-ናይብ ኣይምተጋህደን። ስለዚ እውን ምድረ-ባሕሪ ብዘይካ'ቲ ኣብ ሃይማኖት ክርስትና እተንድቀ ሓድነቱ፣ ፖሊቲካዊ-ሓድነቱ እውን ዓቲቡ፣ ወደብ-ባጽዕ ኣብ ምምሕዳር ምዕቡል- ክርስትያናዊ ሓይሊ ምጸንሐ'ሞ ዓድ-ሓበሻ ድማ ከም ሳዕቤን፣ ካብቲ ን ኣርባዕተ ክፍለ-ዘመናት ዝኣክል ካብ ምዕቡል ስልጣኑ- ባህልን ሃገራት ኤውሮጳ ከይተነጸለ፣ ምሳኦም ዝነብር ዝምድና መማዕበለ።

ስለ'ዚ እዩ እምበኣርከስ ባሕር-ነጋሲ ይስሓቕ እቲ ናይ ጎኣ ሓገዛት ብዝበኾሮ፣ ነቲ "በለው" ምስ ቱርኪ ሓቢሮም ኣብ ሓደጋ ኣብጺሖምዎ ዝነበሩ ፖሊቲካዊ-ሓድነት ምድረ-ባሕሪ ንምዕ-ቃብ፣ ብቀጥታ ባዕሉ ምስ ቱርኪ ምስምማዕ መሪጹ።

ቱርኪ ነቲ ብ ከኤው-መረብ ኣትዩ ብትዕቢት-ስስዐን ደፋእ እናበለ ንስልጣን ባሕረ-ነገስታት ዘዳኽመ ጉዳያት ተመልኪቶም እዮም ን "በለው"፣ግዝኣት ገማግም-ባሕርን/ ባጽዕ ምስ ኩሉ'ቲ ካብ ባሕሪ ዝርከብ እቶትን/ ምምሕልላፍ መሪጾም። ኣብ ክንድ'ዚ ግን፣ ምስ ጕይታ ናይቲ ካብ ውሽጢ-ሃገር ዝለኣኸ ሃለኸቲ-ነገር ዝኾነ ባሕረ'ጋሲ ምስምማዕ እዩ ንቱርኪ ዝያዳ-ውሕስነት ከረጋግጸሎም ዝምኽእለ። ምኽንያቱ ድማ፣ ባጽዕ ሽዑ ይኹን-ሎሚ፣ ብዘይካ'ቲ ሃለኸቲ-ነገራት ድራር-ዕለቱ ክኸትት ስለ ዘይበቅዕ።

ብዝኾነ፣ ነጻነት-ሓድነትን "ምድረ-ባሕሪ" እተኾልፈስ፣ «መስፍናዊ-ግዝኣት ናይብ» ምስ ቆመ እዩ።

እቲ ዞባ ኣብ ክልተ-ወገናት ተኸፊሉ፣ ገማግም-ባሕሪ ኣብ ምስልምና ዝኣመነ ኰይኑ ብቱርኪ ጕይታ ሃገር-ዓረብ ዝድገፍ ናይብ ከመሓደር እንከሎ/ እቲ ከበሳታት፣ ኣብ ትሕቲ'ቶም ኣብ ክርስትና ዝኣመኑ፣ ኣጺዩፈ እውን እንተኾኑም ሓድ-ሓደ እዋናት ሓገዛት ናይቶም ተመሳሳሊ ሃይማኖት ዝነበሮም ህዝብታት "ከኤው-መረብ" ክሓቱ እተገደዱ «መሳፍንቲ-ሓማሴን» እዩ ተሪፉ።

እዚ ክልተ-ወገናት፣ በቲ ድር እተጠቕሰ ኣብ ሞንጎኦም ዘሎ ምትእስሳር፣ ሓደ ብዘይካ'ቲ ሓደ ክናበሩ ኣይክእሉን። ስለ ዝኾነ ድማ፣ እዞም ክልተ-መሳፍንቲ ሓድ-ሓደ እዋናት ን "መን-ይዕብልል"'ኪቃለሱ፣ ኣብ ካልእ እዋን ድማ ቅውም/ጭቡጥን ትሕዝቶ ዘይብሉ ውዕላት ይፍጽሙ ነበሩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፣ ብሓደ ወገን ብሰንከ'ቲ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝሰፈነ ፋሉልነት፣ ስልጣን መሳፍንቲ-ሓማሴን ስለ ዝላሕሊሐን/ በቲ ሓደ ድማ፣ ዋላ'ውን ግዳማዊ-መልክዕ ድኣ ይሓዝ'ምበር፣ ቱርኪ ኣብ ባጽዕን-ገማግም ባሕሪ ብዝነበሮ ልኡላውነት ዘኸትሎ ዝነበረ ናይ ዘይምርግጋእ ኩነታት እዩ ዝነበረ።

ኣብ መላእ'ቲ ናይ ሎሚ ኤርትራ ዝበሃል ዞባ ሰፊኑ ዝርከብ ፋሉልነትን/ ናይ ሓድ-ሕድ ምጥርጣርን/ እዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኩነታት እዩ መበገሲኡ። ካብዚ ድማ፣ ዝዓበየ ረብሓ ዝረኸበ ወገን፣ እቲ ናይ "ናይባት" እዩ። ምኽንያቱ ካብዚ ዘይተረጋግአ-ሰላምን/ ኣብ ሞንጎ ኣባላት እንዳ መኳንንቲ-ሓማሴን እተፈጥረ ውሽጣዊ ምትህልላኽን-ምስሕሓብን፣ እቶም ናይባት እዮም ግብራውያን ጕይቶት ዞባ ገማግም-ባሕሪ ኰይኖም ተረኺቦም።

እዚ ዕድል'ዚ እተኸልፎም ብ 1866 ዓ.ም. ቱርኪ ኣብ ባጽዕ ዝነበሮ ስውር-መስል ን ግብጺ ምስ ኣረከበ፡ እዚ'ውን ኣብ ፍጹም-ዋንነት ለዊጡ፣ ስራዊቱን- መኮንናቱን ብዘንበረሉ እዩ።

****

ደቡባዊ-ዶብ ንግስነት በለው ብዋንቲ

ምልክታ-መብርህን

****

(1)- *ዕቫል፡* ብሰራዊት ከንቲባይ-ተድሮስ ወድ-አሉስ በዓል ዓድ'ስገዶም እዩ ተቐቲሉ።

(2)- *ወ/ሮ ኣሙቱ፡* ኣብ ካልኣይ-ሓዳራ ንሓው ከንቲባይ-ዓብዱ በዓል ዓድ-ንእምን እአ-ትያ፡ ወ/ሮ ኩላድሃብ እተባህለት ጓል ወለደት። ወ/ሮ ኩላድሃብ ምስ ራእሲ-ወለንኪኤል ተዋሲባ ን ወ/ሮ ለምለም ዝወለደት እያ። ወ/ሮ ለምለም ብግደኣ፡ ምስ'ቲ ልጅ-ተሰፋ እተባህለ መራሕ-ባንዳ(ባንዳ-ኢጣልያ) እያ ተዋሲባ።

ወ/ሮ ኣሙቱ፡ ኣብ ቀዳማይ-ሓዳራ(ማለት ካብ ተስፋ'ሳስ በዓል "ጭዓረሺ") ደርማስ እተባ-ህለ ውላድ እውን ዝወለደት እያ። ደርማስ፡ ኣቦኡ ንባሻይ-ደባስ ምኽኑ እዩ።

(3)- *ክብሮም፡* ሓሙሽተ ደቂ ዝወለደ እዩ፥ ዕድለት- ግደረት- ባረንቱ- ገብረ- ዘርኣ-ደብሃሉ።

(4)- *በረ፡* ብ ባሻይ-ንጉስ ወድ-ክፍል'ንኪኤል በዓል ዓድ'ስገዶም ተጠሊሙ(ተኻሒዱ) ብ 1889 ዓ.ም. እዩ ተቐቲሉ። ከም ዝበሃል እውን ሓድጉ'ንበሳ እዩ ነዚ ቅትለት'ዚ ደፋፊእዎ።

(5)- *ሓስፍሃ፡* ምስ ሓንቲ ካብ ደቅ ከንቲባይ-ተስፋጽዮን በዓል ዓድ-ንእምን፡ ብወግዒ ሕጹይ እዩ። ምስ እበራ ኩሎን እቶም ካልኣት ተቓወምትን ጸረ-ኢጣልያ ይተሓባበር ብምንባሩ፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ን 16 ዓመት ናይ ኣስገዳድ-ዕዮ ተፈሪዱ ነበረ።

(6)-

መድህን

1ይ- ዕድለት 2ይ- መለክዕ 3ይ- ሓቂ → ንገብረስላሴ መራሒ ዓዚ-መንተል ወለደ

1ይ- ኣማድረቓ 2ይ- በራዊት

ምስ ድቅን በዓል ዓድ'ንበሳ ተዋሲባ ን....

1ይ- እስጢፋኖስ 2ይ- ወለደሚካኤል 3ይ- ሚካኤል(ቋንቋ-ጣልያን የተርጉም)

(7)-በሕዋቱ ን ዕቫል ወድ-ወልደጊዮርጊስ በዓል ዓድ-ክፍሎም መውጋእቲ ዝወረዶም እዮም

(8)- ብ «ናይብ» ተማሪኾም ብምንባሮም፡ ናሽሕ ወድ ልጃም በዓል ዓድ-ክፍሎም 300 ቅርሺ-ባጠራ ከፊሉ ምስ ተረከቦም እዩ ቀቲልዎም።

(9)- ሕማቕ ኣብነት ነብሰ-ገዳይ። ኣብ ባንዳ-ሓድጉ'ንበሳ "ባሻይ" ተባሂሉ የገልግል ነበረ። ኣቶዲሙ ከም እተጠቕሰ፡ ንሱ እዩ ን "በረ" በዓል ዓድ-ክፍሎም ኣዘንጊዑ ቀቲልዎ። ባንዳ-ሓድጉ ኣንበሳ ምስ ተበታተነ፡ ኣብ ጭፍራ ሰራዊት-ኢጣልያ ዓስኪሩ "ብሉቕባሽ" ዝብል መዝነት ተዋህበ። ብ ምኽንያት-ዲሲፕሊን/ ሕማቕ-መንፈስ/ ዋሕዲ ትግሃት ግን፡ ካብ ዝነበሮ መዝነት ተቐንጢጡ። ኣስዒቡ ድማ ምስቶም ካብ ሰራዊትና ዘምለጡ ክልተ-ዩሽባሽ ኣዝማዱ ሓቢሩ ካብ መሳርዕ-ኢጣልያ ረሓቐ። ኣብ ኩናት-መንጉእ ብረቱ ራሕሪሑ ከምልጥ ምስ ተራእየ እዩ ስንፍናኡ - ዝያዳ ነጺሩ።

(10)- ኣዝማቲ-ዘርኣይ እተባህለ ካብ ሰራዊትና ዘምለጠ ካልእ ዩሽባሺ እውን፡ ወድ-ዑቕባንኪኤል እዩ። ኣብ «ዋልታ-መድሃኒት» ብ 16 መጋቢት ኣብቲ ግብግብ-በቲኒ ዝሞተሉ ኩናት እዩ ተቐቲሉ።

(11)- ብ ከንቲባይ-ናሽሕ ምሕዝንታዊ-ዕድመ ተገዚርሉ፡ ኣብኡ ድማ ብረቱ ተቐንጢጡ ተቐትለ።

(12)- እዚ ወልደ-ኪዳን እተባህለ ቀኝ-ኣዝማቲ፡ ኣብ መስርዕ ኣኮኡ ዝብጽሖ ሓድጉ'ንበሳ ምክትል መራሕ-ባንዳ እዩ ዝነበረ። ብግምት 16 ወይ 17 ዓመት ዝዕድመኡ ጎበዝ እዩ። ርሁጽ-መንፈስ ከም ምኽኑ መጠን፡ ዕድመኡ 13 ዓመት ኣብ ዝነበረሉ፡ ኣገልጋሊት ኣኮኡ ንዝነበረት መንእሰይ፡ እተጻወደ ጠበንጃ ኣትኪሉ፥ «..ከጭምት ?» በላ እሞ፡ወይ ተካሊት ድማ ብዋዛ፥ «..እስከ ውዓላ» ቢላ ብዝመለሰት፡ ብዘየዳግም ተኵሱ ቀተላ።

(13)- ሕማቕ-ዚጋ/ መታለሊ ወታሃደርን እዩ። ን ሓድጉ'ንበሳ ከይተረፈ፡ ዘሐለለ ምኽኑ ይፍለጥ።

****

ብዛዕባ ህዝቢ ምድረ-ድምበዛን

ኣብ መላእ'ቲ ኣብ ትሕቲ«ምምሕዳር-ኣስመራ» ዝርከብ መሬት፡ ከም ናይ ድምበዛን ዝኣመሰለ ወገናዊ-ደርባውን ምክፍፋል ዘላልዮ ህዝቢ፡ ፈጺሙ ኣይርከብን።

ምናልባት ነዚ ዝመስል ኣገባብ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር-ከረን ዝርከቡ ህዝብታት እዮም ከዘውትርዎ ጸኒሖም።

ኣብ ከባቢ-ድምበዛን ዝነብሩ ህዝብታት፡ ልክዕ ከም ኣብ መንሳዕ- ሓባብ- ማርያ... ሹማግለ/ ትግረ/፡ ተባሂሎም ይኽፈሉ።

ሹማግለ ዝበሃሉ፡ እቶም ልኡላን እዮም። ነቲ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ትግረ ይብልዎ።

ትግረ፡ ደቀ'ባት ክኾኑ እንከለው ግን፡ከም ዝመስሉ፡ ሹማግለ ልክዕ ከም ቦጎስ/ቤት-ታዌቐ፡ ብዘመነ ወራር-እምሓራ፡ ካብ ደቡብ ዝመጹ እዮም። ወረ'ውን ንሓደ ጥንታዊ ባህሊ ተኸቲልካስ፡ ርእሰ-ነገድ ናይዞም ሰለስተ-ህዝብታት፡ ኣሕዋት ደቂ-ጡብ እዮም ይበሃል። ንሳቶም ድማ፥

- ታርቀ-ግያን፡ ኣቦ ህዝቢ-ቦጎስ እዩ።
- ታዌቐ-ግያን፡ ኣቦ ቤት-ታዌቐ።
- ጉመ-ግያን[1] ፡ ንቶም "ሹማግለ" ዝበሃሉ ሰብ-ድምበዛን ዝፈረየ እዩ። እቲ ዓዲ፡ ብስም መራሒ ናይቲ ኣብዚ ቦታ ዝነብር«ልኡላዊ-እንዳ» እውን ይፍለጥ።

ተዌቐ-ግያን ኮነ ጉመ-ግያን፡ ኣሕዋት ደቅ'ደ እዮም። እቲ ቦኽርን/ ርእሰ-ነገድ ህዝቢ ቦጎስ ዝበሃል ታርቀ-ግያን ግና፡ ብካልእ-ኣደ ይውለድ።

ኣብ ድምበዛን ዝነብሩ "ሹማግለ" ፍቕዶም ካብቶም ኣብ ቦጎስ- ቤት ተዌቐን ዝነብሩ ለጠቕ ብምባል ኮነ/ ምስቶም ጥንታውያን ነባር ደቀ'ባት ብዘቖየድዎ ኩናትን/ ከምኡ ድማ ከም'ቲ ኣዝዩ ዝመስሉ፡ ብሰንኪ ምስቶም ካብ ትግራይ ንሰሜን ገጾም ውሒዞም ኣብ መላእ ሓማሴን ቋንቋ-ትግራይ ዘሰራጨው ተጋሩ ዝነበርዎ ቀጻሊ ርክብ/ ነዚ ቋንቋ'ዚ ተቐቢሎም፡ ልምዲ ቋንቋ-ኣገው ፈጺሞም ኣጥፊኦምዎ እዮም። እቶም ኣብ «ሰንሒት» ዝነብሩ ኣዝማዶም ግና፡ ዛጊት በዚ ቋንቋ'ዚ ይጥቀሙ።

ኣብ ህልዊ-እዋን(መጀመርያ ዘመን-ጣልያን) ኣብ ድምበዛን ክልተ-ቋንቋ ይዝውተሩ፡ ትግረ- ትግርኛን። ትግረ፡ እቲ ናይ መበቆል ቋንቋ ክኸውን እንከሎ፡ ትግርኛ ካብ ግዳም ዝኣተወ እዩ።

እቶም "ትግረ" እተባህሉ ህዝቢ፡ ተመሊኾም ኣብ ለጠቕ ዝበለ ማሕበራዊ-ደረጃ እኳ እንተኾኑ ናብራኦም፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝያዳ ትብዓት ዘመስክሩን-ብዝያዳ ሓይሊ ድማ ኣንጻር ወረርቲ ህዝብታት ዝመከቱን፡ ንሳቶም እዮም።

ዋላ'ውን ኣብ ቅድም'ቶም "ሹማግለ" ዝበሃሉ ደርቢ፡ ርእሶም ኣድኒኖም እንተሓለፉ፡ ከምቶም ኣብ -ሰንሒት/ሓባብ- ዝርከቡ ትግረ፡ ጨሪሾም ኣይተመልከኑን። ብድሕር'ቲ እተፈጸመ ወራር እውን እንተኾነ፡ናዕብን-ተቓውሞን ስለ ዝቐጸለ ትግረ ንቶም ሹማግለ ዝመለኽምዎም እዋናት'ውን ይዝከር እዩ።

ኣብዚ ናይ ክንዮም ዕድሎም እተኻየዱ ፍጻሜታት፡ "ሹማግለ" ኣብ እተመለኸሉ እዋናት፡ ክሳብ ማሕረስ ክሓርሱ'ውን፡ደረጃኦም ለጠቕ ክብል ተራእዩ እዩ። ካብታቶም ኣዝዮም ድኻታት ዝኾኑ፡ ከም ኣገልገልቲ ተቖጺሮም እንዳ-ርኹባት ክጽግዑ ምርኣይ፡ ሳሕቲ ኣይኮነን። ብዝኾነ ግና፡ ጸባ ኣይሓልቡን። ምኽንያቱ ድማ፡ ሓደ ጥንታዊ-ባህሎም ከም ዘእምሮ፡ ከምዚ ዝበለ ትሑት-ዕዮ፡ ን ደቀ-ኣንስትዮ ኮነ/ ከምዚ ከማኦም ዝኣመሰሉ ልኡላን፡ ኣይግባእን። ነዚ ባህል'ዚ ዘፍረሰ "ሹማግለ" ብዓይኒ-

1- ግያን ወይ ጅያን፡ ብቋንቋ-ኣገው «ሓርማዝ» ማለት እዩ። ኮይኑ ድማ፡ ሓይልን-ጉልበትን የመልክት።

II. ድምበዛን-እንዳ ደጊያት ሓድጉ ኣንበሳ

- 1ይ- ክብሮም ንስቺር ወለደ። ስቺር.....ን
  - 1ይ- ተኸለስ
  - 2ይ- ረድኢ
- 2ይ- ክፍሉም
  - 1ይ- ዑቅባጊዮርጊስ ን ገንደር ወለደ
  - 2ይ- ገድለጊዮርጊስ..ን
    - 1ይ- ጽናልዳይ
    - 2ይ- ገብረማርያም
    - 3ይ- ሻውጂ
  - 3ይ- ተስፋጊዮርጊስ..ን
    - 1ይ- ደብሩ
    - 2ይ- ጊጋጊዮርጊስ ን ዛማረጊዮርጊስ ወለደ
    - 3ይ- ገብሩ
  - 4ይ- ሁብተጊዮርጊስ..ን
    - 1ይ- ጆጊን
    - 2ይ- ዘርኡ
    - 3ይ- ይኺድ
  - 5ይ- ጥምንጊዮርጊስ..ን
    - 1ይ- ሻበራ
    - 2ይ- ምኽምጽእን
    - 3ይ- ዓሸራ
  - 6ይ- ክፍለጊዮርጊስ ን ወልደጊዮርጊስ ወለደ/ ወልደጊዮርጊስ.......ን
    - 1ይ- ዕሻል (1)
    - 2ይ- ልሻም.....
      - 1ይ- ሓቢብ..
        - 1ይ-ክብሮም(3)
        - 2ይ-ፍቅሮይ
        - 3ይ-የሱስ
        - 4ይ-ሓጐስ
      - 2ይ- መድህን
      - 3ይ- ክፍለ ን ብሬ ወለደ
      - 4ይ- መንደር
        - 1ይ-ኑር
        - 2ይ-ጊዮርጊስ
        - 3ይ-ሕድሪ ማርያም
      - 5ይ- ናሽሕ ንዘኺት ወለደ
      - 6ይ- ክፍል
      - 7ይ-ወ.ዓስት ምስ ክንቲባይ ስባሁቱ ተዋሲባ
        - 1ይ-ክንቲባይ ተድላ
        - 2ይ-በላ. ምንሊክ
        - 3ይ-ልጅ ኣስፍሃ(5)
      - 8ይ-ወ/ሮ ብሓባ፡ ምስ ናይብ-መሓመድ ተዋሲባ፡ ንዘኺታ ወለ-ደት። በኺታ ምስ ኣዃም-ሰገድ እተባህለ ወድ-ሓወቦእ እያ ተዋ-ሲባ።
    - 3ይ- እሻም
    - 4ይ- ሕዻድ
    - 5ይ-ወ.ኣሙቴ(2)
- 3ይ- ኣፍደዮም ን ነዓድለ ወለደ፡ ንዓድለ ን.
  - 1ይ- ትግሬይ....
    - 1ይ- ወልደንበአ
    - 2ይ- ገረንበአ
    - 3ይ- ደባስ
  - 2ይ- ዕሻና፡ ምስ ሓቂ ንወልደመድህን እተባህለ በዓል ዓቢመንተል(6) እያ ተዋሲባ።
  - 3ይ- መሓሬይ...
    - 1ይ- ዑቅባ ገብርኤል
    - 2ይ- ወልደገብርኤል
    - 3ይ- ክንፈ ገብርኤል
    - 4ይ- ገና ገብርኤል

- 1ይ- ወልደጋብር ንዓንደንኪኤል ወለደ፡ ዓንደንኪኤል ንበላ.ሓጐስ
- 2ይ-ክንቲባይ ጊለት...... ጊለት፡ ብዘይኩ'ዚኦም ወብ/ ኣለይሻ/ እተባህላ ክልተ-ኣዋልድ ኣውን ዝወለደ እዩ። ወ. ወብ ኣይ ቀኝ-ኣዝማቲ ወል-ኪዳን እያ(12)።
  - 1ይ-ኣርዓዶም
  - 2ይ-ዑቅባጋብር ንወ/ጊዮርጊስ ወለደ
  - 3ይ-ኣሉስ.....
    - 1ይ- ኣስገዶም
    - 2ይ- ኣምባየ
  - 4ይ-ኣውዓሉም
  - 5ይ-ተስፋጊዮርጊስ
  - 6ይ-ጉብሳ
  - 7ይ-ሓድጉ ኣንበሳ ን ኣስፋሃ ወለደ
  - 1ይ-ጓልዱ፡ ንር'ሻን ዝወለደ እዩ። ር'ሻን

ደት። ብኺታ ምስ ኣዳም-ሰገድ እተባህለ ወድ-ሓወቦኣ እያ ተዋ-ሲባ።

- 3ይ- ኣፍደዮም ን ነገደለ ወለደ፡ ንገደለ ን.
  - 1ይ- ትግራይ....
    - 1ይ- ወልደንስኤ
    - 2ይ- ገረንስኤ
    - 3ይ- ደባስ
  - 2ይ- ዕሻና፡ ምስ ሓቲ ንወልደመድህን እተባህለ በዓል ዓዲመንተል(6) እያ ተዋሲባ።
  - 3ይ- መሓራይ...
    - 1ይ- ዑቕባ ገብርኤል
    - 2ይ- ወልደገብርኤል
    - 3ይ- ክንፈ ገብርኤል
    - 4ይ- ገና ገብርኤል

- ይ- ኣስገዶም ንእሉስ እሉስ ድማ ን... ይወልዱ።
  - 1ይ ተድሮስ
    - 1ይ- ወልደጋብር ንዓንደንኪኤል ወለደ፡ ዓንደንኪኤል ንበሃ-ሓጐስ
    - 2ይ-ክንቲባይ ጊለት...... ጊለት፡ ብዘይካ'ዚኦም ወዛ/ ኣለደሻ/ እተባህለ ክሌተ-ኣዋልድ እውን ዝወለደ እዩ። ወ. ወዛ ኣይ ቀኝ-ኣዝማቲ ወል-ኪዳን እያ(12)።
      - 1ይ-ኣርዓዶም
      - 2ይ-ዑቕባጋብር ንወ/ጊዮርጊስ ወለደ
      - 3ይ-እሉስ.....
        - 1ይ- ኣስገዶም
        - 2ይ- እምባዬ
      - 4ይ-እውዓሎም
      - 5ይ-ተስፋጊዮርጊስ
      - 6ይ-ጉብሳ
      - 7ይ-ሓድጉ ኣንበሳ ን ኣስፋሃ ወለደ
    - 3ይ- ጋብር(7).......
      - 1ይ-ጓልዱ፡ ንርሻን ዝወለደ እዩ። ርሻን ምስ ራእሲ ወልንኪኤል ተዋሲባ ን ደጊያት-መስፍን ዝወለደት እያ።
      - 2ይ-መድህን፡ ንተስፋዝጊ ወለደት።
      - 3ይ-ብኺት(ብላታ) (13)
    - 4ይ- ንብረክርስቶስ ንናሽሕ ወለደ፡ ናሽሕ ን....
      - 1ይ-ተድሮስ
      - 2ይ-ደባስ
      - 3ይ-በራኺ
    - 5ይ- ሓይላይ(8)......
      - 1ይ-ወለንኪኤል(11) ን ሃብተንኪኤል (ፄኼባሺ) ወለደ።
      - 2ይ-ተኼለ፡ ን መንደር ወለደ።
      - 3ይ-ገብረ(ግራ-ኣዝማች)፡ ኣቦ ወ.ምንት እዩ። ወ/ሮ ምንት ሰይቲ በላምበ-ራስ ቢተው እያ።
      - 4ይ-ፍቃቅ
      - 5ይ-ሓይሊ'ንኪኤል
  - 2ይ- ዑቕባ ተድሮስ
  - 3ይ ተስፋ ተድሮስ
    - 1ይ- ፍቕሮይ (8)
    - 2ይ- ተስፋ'ንኪኤል
    - 3ይ- ክፍለ'ንኪኤል
      - 1ይ- ዓራይ
      - 2ይ- ንጉስ (9)
      - 3ይ- ካሕሱ
      - 4ይ- ኣብርሀ
    - 4ይ- ዑቕበ'ንኪኤል(10)
      - 1ይ- ፊትወራሪ ገብሩ
      - 2ይ- በኺን
    - 5ይ- ሀብት'ንኪኤል
    - 6ይ- ተኼለ'ንኪኤል

ጥልመት ከም ዝቕጻዕ ይኣምን። እዚ ዘገርም እምንት'ዚ፡ ከሳብ ርሑቕ-መረብ እውን ይዝውተር እዩ።

ኣብቲ ነዊሕ-እዋን ዝወሰደ ናይ ሓድ-ሕድ ምስሕሓብ፡ ዋንነት-መሬት ኣብቶም ትግረ እዩ ተባሒቱ ጸኒሑ። እዚ ክበሃል እንከሎ ግን፡ ትግረ ን ሹማግለ ግብሪ ኣይግብሩን እዮም። ብእንጻሩ ድኣ፡ ሹማግለ እዩ መሬት ምስ ዝሓርስ ን ትግረ ዝግብር። ትሕዝቶ ናይቲ ግብሪ ድማ፡ ብ "ሓደ-ገበታ እኸሊ" ንነፍስ-ወከፍ ጵምዲ-ብዕራይ ይግመት። ግብረ-መንግስቲ ንዝምልከት ግና ብምሉኡ፡ በቶም "ትግረ" እዩ ዝኽተት ዝነበረ።

ሹማግለ፡ ልኡላዊ-ዓሌቶም ንምንጻር፡ ኣብ የማናይ-እዝኖም ወርቂ-ቃለቤት ይሰቕሩ። እዚ ምልክት'ዚ ድማ ዋላ'ውን ኑቶም ርኹባት-ሃብታማት ዝበሃሉ ትግረ፡ ኣይፍቀድን።

ብልዕል-ኩሉ ግና ሹማግለ ዓቲቦምዎ ዝጸንሑ መሰል፡ እቲ«ክንቲባይ» ተባሂሉ ንምሉእ ዓዲ ዘመሓድር ብንጉስ ዝስየም መራሒ፡ በዓል-እንዳኦም ክኸውን ይግባእ ዝብል መሰል እዩ። እዚ ግን፡ ብውርሻ ኣይመሓላለፍን ዝነበረ።

ኣብ ድምበዛን ብርግጽ ሓድ-ሓደ እዋናት ትግረ ዝዓሌቶም መራሕቲ እውን ተራእዮም እዮም። ኰይኑ ግን«ባሕረ-ነጋሲ»ዝብል ሽመት እንተዘይኰይኑ፡ ክንቲባይ ኣይበሃሉን።

ሹማግለ፡ ዋላ'ውን ንእስ ቃጽዖ-መሬት ዘይፍቀዶም -ስለዚ እውን ካብ መሰል ዋንነት መሬት ክልኩላት እንተኾኑ- ኣብ ኩሉ'ቲ ንከበሳ ዘናወጸ ረጽምታት፡ ምስቶም «ዕድሎም-ንቕድመኦም» ዝበልናዮም እተፈላለዩ ሰራዊት ይስለፉ ብምንባሮም፡ እቲ በብእዋኑ ኣብ ናይ ምምራሕ-ተራ ክጥፍእዎ ዝጸንሑ ዓብላልነት፡ተመሊሱ ኣብ ደርቦም እዩ ዝበሓት ነይሩ።

ኰይኑ ግን፡ ዓቢ-ሓይሊ ክይድልቡ ዝዓንተ ረቛሒ፡ ምናልባት እቲ ቀጻሊ ምትህልላኽ ወይ'ውን እቲ ኑቶም ኣብ ውሽጢ ዓሌቶም እተሰረቱ ሰለስተ-እንዳታት ወትሩ ዝኸፋ-ፈለ ሓያል-ጽልኢ ኰይኑ ኣይተርፍን።

እተጠቕሱ እንዳታት፥ 1)-*ዓድ ለሙስ*/2)-*ዓድ ክፍሎም*/3)-*ዓድ ተኸለሃይማኖት* ይበሃሉ።

እዚ ዳሕረዋይ እንዳ ግን፡ኣብቲ ቃልስታት ቅሂሙ፡ ሉሚ ዝኾነ ፖሊቲካዊ-ሚዛን የብሉን።እቶም ንቕድም እተጠቕሱ ክልተ-እንዳ እዮም ዓብለልቲ። እተቐራረበ ዝምድና ከኣ ይሃልዎም እምበር፡ እቲ ብጽልእን-ሕነ ኣብ ሞንጎኦም ዝወሓዘ ደም ይፈልዮምን-ይኸፋፍሎምን። ነዊሕ ክይከድካ፡ ኣብ ሓድ-ሕዶም ዘሎ መንፈስ ንምርዳእ፡ ብዛዕባ እቶም ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ን «ድምበዛን» ዝመርሑ ኣርባዕተ-መራሕቲ ዝምልከት ዛንታ ምጥቃስ፡ ኣኻሊ እዩ።

1)- *ክንቲባይ-ልጃም* በዓል ዓድ-ክፍሎም፡ ብዘመነ ደጊያት-ውቤ እዩ ተሸይሙ።

2)- *ክንቲባይ-ጊለት* በዓል ዓድ-ለሙስ፡ ብዘመነ ተድሮስ እዩ ተመሪጹ። ብራእሲ-ወልደንኪኤል እዩ ድማ ተቕቲሉ። ክንቲባይ-ጊለት፡ ኣቦ ሓድጉ'ንበሳ ምኺኑ እዩ። እዚ ስም'ዚ፡ ኣቦኡ ብዘመነ ደጊያት-ውቤ ዝነበሮ ወታሃደራዊ ክብርን-ጭካነን ንምዝኽኻር እዩ ጠሚቕዎ። ብግብረ'ውን ሓደ ካብቲ ክንቲባይ-ጊለት ዝፈጸሞ ኣጸያፊ ገበን፡ እቲ ድሮ እተጠቕሰ ቅትለት ኣዲኡ ን ራእሲ-ወልደንኪኤልን ክልተ ደቕ-ደቃን(ደቅ መር-እድ ወልደንኪኤልን) ይዝከር።

3)- *ክንቲባይ-ናሽሕ* በዓል ዓድ-ክፍሎም ወድ ክንቲባይ-ልጃም እዩ። *ንጉስ-ዮሃንስ* እዩ'ውን "ደጊያት-ካሳ" ይበሃለሉ ኣብ ዝነበረ እዋናት፡ «ክንቲባይ» ዝብል መዓርግ ኣልቢስዎ።

ንጉስ-ዮሃንስ ኣብ ልዕሊ ክንቲባይ-ናሽሕ፡ ዓቢ ኣድንቖት እዩ ዝነበሮ። ነዚ ኣድንቖት እዚ ዘርኣኻ፡ ብሂል ናይቲ ንጉስ ይዝከር። ሓቢሮም ንሃድን ብዝወፈሩ፡ እቲ ንጉስ ን ክንቲባይ-ናሽሕ ጉራደ ጥራሕ ዓጢቑ፡ ሓርማዝ ክውድቕ ምስ ረኣየ፥ «ናሽሕ ክንደ ሽሕ» በለ ይበሃል። ክንቲባይ-ናሽሕ፡ ካብ ጭካነ-ሓይልን ሓድጉ'ንበሳ ክምልጥ ንማለት ኣብ ባጽዕ ተዓቚቡ ድሕር ምጽናሕ፡ ኣብ መጀመርያ እዋናት 1890 ዓ.ም. ብሕማም፡ ኣብ ባጽዕ እዩ ሞይቱ።

4)-ደጊዮት ሓድጉ-ኣንበሳ በዓል ዓድ-እለውስ፡ ወድ ከንቲባይ-ጊለት እዩ። ሓድጉ-ኣንበሳ፡ ኣብቲ ንክልተ-ዓመት ዝኣክል ኣብ ህዝቢ-ሓባብ ተዓቕቡ ዝነበረ እዋናት፡ ቅድሚ ንመንግስቲ-ኢጣልያ ምግልጋሉ፡ ራህት ምስ እተባህለት ጓል ይሽሓቕ ወድ-ኢድሪስ በዓል ዓድ'ተማርያም ተዋሲቡ ነበረ። «እንዳ-ይሽሓቕ»፡ ልኡላን-ሓያላትን «እንዳ» ካብ ቤት-ሓስገደ እዮም።

ሓድጉ'ንበሳ ብመንግስቲ-ኢጣልያ "መራሒ ድምበዛን" ተባሂሉ፡ 300 ጠበንጃ ዝዓጠቑ ሰራዊት እዩ ዝመርሕ።

ብዛዕባ ባህሪ ናይዞም ህዝብታት ውሑድ እፍልጦ ዘለዎ ሰብ እውን ክግንዘቦ ከም ዝኽእል እቲ ኣብ ሞንጎ'ዞም እናተባራረዩ፡ዝለዓለ ስልጣን ናይቲ ከባቢ ዝሓዙ እንዳ-ታት እተተኸለ ጽልእን-ቀጻሊ ውዲታትን፡ በዞም ኣርባዕተ-መራሕቲ ድምበዛን እዩ መረዳእታ ዝርከቦ።

ሓድጉ'ንበሳ ንሱ'ውን ዘይተጸበዮ ሓይሊ ብዝደለዐ፡ ንትእዛዝን/ ቀይድን/ ኣዝዩ ከባቢ-እስመራ ነጺጉ፡ ብቀጥታ ምስ ኣመሓዳሪ(ጎቨርናቶረ) ክራኸብ ዝበለ ጠለቡ፡ ኩሉ ዝፈ-ልጦ እዩ። ን ሕግታት ኢጣልያን-ኢትዮጵያን ብንዕቀት ጥሒሱ፡ ብዘይ ሕጋዊ መን-ገድን ብዊንታኡን፡ ናይ ሞትን-ህየትን ፍርዲ'ውን ንባዕሉ ጠቕለለ።

እቲ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናዛየደ ዝመጸ ጠለባቱ፡ ክሳብ'ውን ኣብ ዘስሕቕ ደረጃኡ፥ እምበረሚ- መንሳዕ- ባርካ- ጥራሕ ዘይኮነ፡ከተማ-ጐንደር እውን ብርሑቕ ዝምድና-ኣደ ይብጻሓኒ በሃላይ እዩ ዝነበረ።

መንግስቲ-ኢጣልያ ንከምዚ ዝበለ ድንጉር ሕልምታት ዘጥቅዖ-ሰብ፡ ብእዋኑ እዩ ኣር-ሒቕዎ። ኣብ ዝነበረ ጭፍራኡ ግን፡ ብዝሒ ቍጽሪ ኮነ/ ዝለዓለ መዝነታት ተፈቒድዎም ዝጸንሑ ኣባላት፡ ናይ ግድን ሰብ ዓድ-እለውስ ብምንባሮም፡ ምቕንጣጥ-ብረቶም ኣብ ቅድም'ቶም ትዕቢቶምን-ልዕልነትን ክዕዘቡ ዝጸንሑ ሰብ ዓድ-ክፍሎም፡ ዘሕፍር ነገር ኮይኑ ረኺብዎ።

ኣብ ውሽጥ'ቲ እተብታተነ ጭፍራ ዝነበሩ ኣባላት፡ ካብቲ ባሻይ-ፊትወራሪ-ኣዝማቲ ወ.ዘ.ተ..ዝብል ሽመት ተቐንጢጦም ኣብ ደረጃ ዩሽባሽ-ብሉቕባሽ ብዝወረዱ፡ እቲ ዓስከር ካብ ምዃን ዝኸተል ረብሓ ጥራሕ ኣይኮነን በኹርዎም። ብዓቢኡ ድኣ፡ ብልጭ-ልጭ ናይቲ መዝነታት እዩ ኣተሓሳሲብዎም። በዚ ምኽንያት'ዚ እዮም ድማ እቶም ምክትላት ኮኑ መራሕትን/ ከምኡ'ውን ምስ ሓድጉ'ንበሳ ጽቡቕ ዝምድና ዝጸንሓም ፊትወራሪ ገብሩን- እቲ ኣብ ኲናት «ዋልታ-መድሃኒት» ኣንጻር ግብጣን-በቲኒ እናተዋግአ ዝሞተ ኣዝማቲ-ኣርኣያን፡ ኣብ ናይ "ዩሽባሺ" ደረጃ ብዝወረዱ፡ ካብ ሰራዊት-ኢጣልያ ሰሊቦም፡ ምስ 30 ተኸተልቶም ንበረኻ ምውጻእ መረጾም። ዕላማኦም ድማ፡ መኮንናት ሰራዊት-ኢጣልያ ክማርኹን-ክጨውዩን'ሞ፡ ከም ጀሆ ተጠቒሞም ድማ ንሓድጉ'ንበሳ ካብ ማእሰርቲ ዘላቕቕ መንገድታት፡ዋጋ-ዕዳጋ ምውጋይ እዩ ዝነበረ።

ኣብዚ መደብ'ዚ፡ ወ/ሮ ራሀት ሰይቲ ሓድጉ'ንበሳ እያ ዋና-ተዋሳኢት ዝነበረት።

ፊትወራሪ ገብሩ/ ኣዝማቲ ኣርኣያ፡ ሰብ ዓድ-እለውስ እዮም። ከምኡ'ውን እቲ ብመጀመርያ ካብ ሰራዊት-ኢጣልያ ከምልጡ ዝሓበሎም ባሻይ-ንጉሰ፡ በዓል-እንዳእም እዩ። ንሱ'ውን ምስ ምብትታን ጭፍራ ሓድጉ'ንበሳ፡ኣብ ለጠቕ ዝበለ ተራ ብሉቕባሽ እዩ ተመዲቡ ዝነበረ። ብድሕር ቁሩብ ኣዋርሕ እንደገና ብዋሕዲ-ዲሲፕሊን/ ትህኪት/ ብዘዘውትሮ ተራጻሚ-ጠባይ፡ ኣብ ታሕተዋይ-ጽፍሕታት ድሕር ምጽናሑ፡ ካብ መዓስከራትና ተወገደ።

እዚ ሕማቕ-እብነት ዝኾነ ዜጋ፡ ብሓደ ወገን ጨካን-ደመኛ መሲሉ'ኳ እንተቐረበ፡ ን ሓድጉ'ንበሳ ዝምልከት ሕነ ክፈዲ ንማለት "በሪ" ንእተባህለ ወድ-ሓው ን ከንቲባይ-ናሽሕ «ኣሰስ» ኣብ እተባህለ ቦታ ኣብ ድቃሱ እንከሎ ኣዘንጊዑ ዝቐተለ እዩ። ኣብ «ኲናት-መጉእ» ግና፡ ብረቱ ራሕሪሑ ከምልጥ ድኣ ተራእየ። "ክፍለ" እተባህለ ኣቦኡ እውን፡ ኣባል-ጭፍራኡ እዩ።

ምስ ፊትወራሪ-ገብሩ ሓቢሮም ዝርከቡ ካልኦት ሰብ ዓድ-እለውስ እውን እንተሃለው፡ ኣገዳስነቶም ለጠቕ ዝበለ ብምዃኑ፡ ምጥቃሶም ኣየድልን።

ኣብ ህልዊ እዋን፡ ካብ ሰብ ዓድ-ክፍሎም ፖሊቲካዊ ኣገዳስነት ዝርከቦ ኣባል ዳርጋ ኣይርከብን። እስኪሉ ድኣ ዝተኣረመ ይኹን'ምበር፡ኢጣልያ ንዕቢት ዓድ-እሎስ ብዝሃቦ ቀዳምነት፡ ዓድ-ክፍሎም ምሳና (ኢጣልያ)፡ ዘይወጽእ ጽልኢ እዩ ዘለዎም።

ካብቶም ውሑድ ኣገዳስነት ዘለዎም ሰብ ዓድ-ክፍሎም፡ መድህን እተባህለ ወድ-ከንቲባይ ልጃም(ሓው ከንቲባይ-ናሽሕ) ክጥቀስ ይከኣል። መድህን፡ ዕድመ ዝደፍእ ሰብኣይ ኩይኑ፡ ብውልቃዊ ጠባይ ይኹን/ በቲ ኣቦኡን-ሓወ'ቦኡን ስልጣን የመሓድሩ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ዘዘውተርዎ ትሕትና-ሕያውነትን፡ ኣዝዩ ዝኸበረን- ጽቡቕ ኣርኣያ ዘለዎ ዜጋ እዩ። «ዋራ» ኣብ እተባህለ ዓዲ እዩ'ውን መናበሪኡ። ብምሉኣቶም ዓድ-ክፍሎም ኣብ ዋራ እዩ ናብራኦም። ዓድ-እሎስ ኩኑ/ ዓድ-ተኸለሃይማኖት ግን፡ ኣብ ምሉእ ምድሪ-ድምበዛን ፋሕ ኢሎም ዝነብሩ ኣዝማድ ድኣ ይሃልዎም እምበር፡ መብ-ዛሕትኦም ኣብ ዓድ-ተከለዛን እዮም ዝነብሩ።

" ግስት " እተባህለት ሰይቲ ደጊያት-ስባህቱ፡ በዓል-ካርነሽም እውን፡ በዓልቲ ዓድ-ክፍሎም እያ። ሓውቱ ኑቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ መድህን ብምኺና ድማ፡ኳል ከንቲባይ-ልጃም/ሓውቲ ከንቲባይ-ናሽሕ እውን እያ። በዚ ኣቢሉ ድማ እቲ ኣብ ሞንጎ ደጊያት ስባህቱን-ደጊያት ሓድጉ'ንበሳን ዝጸንሐ ቀጻሊ ጽልኢ መረዳእታ ይርከቦ።

ብዘይካ'ዚ ግን፡ ኣበይ- ከመይን- ዝኣመሰለ መሰረት ዘይርከቦ፡ ሓድጉ'ንበሳ ምሉእ ካርነሽም ይብጽሓኒ እዩ ዝብል ጠለብ'ውን የቕርብ። እዚ ጠለብ'ዚ ብሓይሊ ዘቕርቦ ድማ፡ብፍላይ ኣብ ሓድ-ሓደ ባዕሉ ዝወነኖ መሬት እዩ።

እዚ መሬት'ዚ፡ ብሽምግልና መኰንናት-ኢጣልያ እውን ተዳንዩ ክሱ፡ ብመሰረት'ዚ ድማ ዶባት ካርነሽም/ድምበዛን/ ዘነጽሩ ርእያት ምልክታ ተገይሩሎም ክነብቅዕ፡ ሓድ-ጉ'ንበሳ ካብቲ ዘንቀሎ ሓሳብ ኣይተመልሰን።

ካብቶም ታሕተዋይ-ደርቢ ዝበሃሉ " ትግረ " እውን፡ እዞም ዝኹተሉ ሓያላት እንዳታት ክጥቀሱ ይከኣሉ፥

1)- *ባርግል*፥ ባርግለ ላዕላይ- ታሕታይን ተባሂሎም ኣብ ክልተ-እንዳታት ይኽፈሉ። ክልቲኦም ድማ፡ ኣብ ዓድ-ተከለዛን እዩ መናበሪኦም። ኣብ ሰሜናዊ ክፍሊ-ድምበዛን ማለት ኣብ ዶብ " ዞባ-ከረን " እውን መሬት ይውንኑ እዮም። ኣብ ጐላጕል-ዓንሰባ ኣብ ጥቓ መሬታት-ለማጨሊ፡ ሽሕንደዋ ኣብ እተባህለ ቦታ፡ ንዓኦም ዝሓርሱሎምን/ ጥሪተ-ከብቶም ዝጓስዩ ሰባት ዝነብርዎ ቁሸት'ውን ይውንኑ።

እቲ ዝሰፍሐን- ፍርያም ዘበለ መሬት ድምበዛን፡ ብ *ባርግለ* ይውነን። ፍቕዶም ድማ 60 ዝኾኑ ስድራ-ቤት የጠቓልል።

ገረንኪኤል ወድ-ወለገብርኤል እተባህለ ባሕረ'ጋሲ ባርግለ-ታሕታይ፡ኣብ ሽሕንደዋ እዩ ምቕማጡ። ባሕረ'ጋሲ ባርግለ-ላዕላይ ግን፡ ኣብ ዓድ-ተከለዛን እዩ መናበሪኡ። ባሕረ-ነጋሲ ባይራይ እውን ይበሃል።

ንክልቲኦም፡ ባሕረ'ገስታት ኢሉ ዝሽመ፡ባዕሉ ደጊያት-ሓድጉ'ንበሳ ሓይሊ ኣብ ዝደለበሉ እዋናት እዩ።

2)- *ሀዝባይ*፥ ሽማንጉስ-ታሕታይ/ ሽማንጉስ-ላዕላይ ኣብ ዝበሃሉ ክልተ-ዓድታት ይነብሩ። ኣብ ሸውዓተ-ዓንሰባ " ጉዳ-ጉዲ " እተባህለ ቁሸትን/ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ መሬትን እውን ይውንኑ። ሀዝባይ፡ ልኡላን እና በሃልቲ እዮም። ዘርኢ ግመ-ግያን ምኺኖም'ኳ እንተኣመኑ፡ ኣብ ህልዊ እዋን(ሸው ማለት'ዩ)ኣብ ታሕተዋይ ማሕበራዊ-ደረጃ(ማለት ማኪታይ ወይ ትግረ) ይነብሩ። ንባዕሉ እቲ ወንንቲ-መሬት ምኺኖም ግን፡ ንዘቕርብዎ ጠለብ (ጕይትነት ወይ ልኡላዊ-ዘርኢ) ይኸሕዶ እዩ።

ብዝኾነ ግና እዚ ነገራት'ዚ ንሕሉፍ ጊዜያት ስለ ዝምልከት፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ትርጉም ኣይርከቦን።

****

III. ካርነሽም

ብዛዕባ ህዝቢ ካርነሽም-እንዳ ደጊያት ስባሁቱን

ኣብ ጥንቲ፡ ህዝቢ ካርነሽም ፍቕዱ ድኣ ይሓድ'ምበር፡ ኑቶም ኣብ ካልእ ጉልታት መረብ/ምላሽ ዝነብሩ ህዝብታት መሲሉ ሰማዊ እዩ ዝነበረ ነገዱ።

እስታት 300 ዓመት ኣቢሉ ይኸውን፡ ካርነሽም *ብእምነት* ብእተባህለ ካብ ነገደ ሚናብ እዩ ዝመሓደር ዝነበረ። ብእምነት፡ ወድ-ሓወ'ቦኡ ን'ተሽም በዓል ጸዓዘጋ ድኣ ይኹን እምበር፡ ን «እምባ-ደርሆ» እዩ ግዒዙ። ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም እተሳዕለ ናይ ምት-ዕብላል ጉዳያት እዩ'ውን ነዚ ኣኸቲሉ። ፍቕዲ ተኸተልቲ-ብእምነት ግን፡ ለጠቕ ዝበለ እዩ ነይሩ። ስለ'ዚ'ውን ሚሂን ሓይሊ ንምድልዳል ካበየ ቦታኡ ሰባት ጸዊዑ እዩ ኑቲ መሬት ሂዚብዎ። እዞም ሓደስቲ ህዝብታት ድማ ደፋእ ኢሎም ኣብቲ ዓዲ እግሪ ተኸሉ።

ከም ዝበሃሎ፡ «እዛር» እተባህለ ጥንታዊ ኣባ-ሓጎ "ደጊያት ስባሁቱ" እውን ምስ'ዞም ዳሕረዎት ዝመጸ እዩ። እዛር፡ ተወላዲ "ኣንከረ" ኣብ ሽረ እዩ። ዛጊት'ውን ኣብ ሽረ ሓደ-ጨንፈር ናይዚ እንዳ'ዚ ይነብር።

እዚ ዛንታ'ዚ ግና፡ ብሓድሓደ ወገናቶም ተቐባትልነት ኣይረኸበን። ከመይሲ ንሳቶም ከም ዝኣምንዎ፡ ወለዶ ደጊያት-ስባሁቱ ንካርነሽም ዝመጸስ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኲይኑ ብድሕር ስደት እስገደ ኣብ ዘሎ ዘመን እዩ ይብሉ። ኲይኑ ግና፡ ብዛዕባ ስም ናይዚ "እዛር" እተባህለ ርእሰ-ነገዶም ኲነ- ዝመጸሉ ቦታን፡ ክልቲኦም ወገናት ይሰማምዕሉ እዮም።

ንሕጽር ዝበለ መረዳእታ ድማ፡ ዘርኢ-ወለዶ ብእምነት፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦

ብእምነት

1ይ- ዓይላስ 2ይ- ጓዕዳድ 3ይ- እስገደ 4ይ- ኸለል

መዓቶይ ምስ ካልኦት 6 ደቁ

ጊዮርጊስ

ሓባብ

ኣብ ካርነሽም ዘሎ ባህሊ ኣኸቲልና ከም እንርእዮ ካብቲ ናይ "ሓባብ" ብቕሩብ ዝፍለ ኲይኑ ከም ዘዘንትዎ፥ ዓይላስ- ኸለል- ጓዕዳድ- ኣብ እምባ-ደርሆ ኣብ ቤት-እቦኦም እዮም ተረፎም። ኣብዚ ቦታ'ዚ፡ ዛጊት ዘርኢ ናይቶም ቀዳሞት-ክልተ ክህሉ እንክሎ ግና፡ ብዛዕባ ጓዕዳድ ኲነ ዝሰዓበ ዘርኡ፡ ዝፍለጥ ነገር የለን።

እስገደ ምስ ኣሕዋቱ ተሰሓሒቡ ካብ እምባ-ደርሆ ለቒቑ "ዓድ-ንፋስ" እተባህለ ዓዲ መስረተ። ዘርኡ ድማ፡ ክሳብ ዕለት ሎሚ ህልዊ እዩ።

ጊዮርጊስ እተባህለ ወድ-መዓቶይ (ቦኽር-ውላድ እስገደ) ንሱ'ውን ምስ ኣሕዋቱ ተሰሓ-ሒቡ ንስደት እንቲሉ፡ ን «ህዝቢ-ሓባብ» ዝፈረየ እዩ። ስም ናይዚ ጥንታዊ-ወላዲ ግን ኣብ ህዝቢ-ሓባብ ከም *ሓቢብ* እዩ ዝፍለጥ። ሓቢብ ማለት ድማ፡ ጥንታዊ ወላዲ እዩ ትርጉሙ።

ህዝቢ ሓባብ ኣብ ዘዘውትሮ ባህሊ፡ ብዛዕባ እስገደን-ምስ ኣሕዋቱ ዝነበሮ ዘይምስናይን-እንተዘይኲይኑ፡ ብዛዕባ መዓቶይ ኣይጥቀስን። ጊዮርጊስ ወዶ ሓቢብ፡ ከም ወድ-እስገደ እምበር ከም ወድ-መዓቶይ ኣይፍለጥን። እዚ ግን ብዙሕ ኣገዳሲ ጉዳይ ኣይኮነን። ብዛዕባ ድምበዛን ኣብ እተዛረብናሉ፡ እቲ ህዝቢ፡ ሳዕለዋይ- ታሕተዋይ ደርቢ ተባሂሉ ከም ዝኸፈል ተገንዚብና ነይርና። እዚ ኣገባብ ደርባዊ-ኣሰራርዓ ኣብ ካርነሽም

ኣይዝውተርን። ኲይኑ ድማ ኣብ ህልዊ እዋን እቶም ልኡላን ዝበሃሉ ጉጅለ፡ ከም ማሕበራዊ-ደርቢ መጠን ጠፊእም እዮም።

ኣብ ዓድ-ንፋስ ዝነብሩ "ቤት-ኣስገደ" ይኾኑ፡ እቶም ኣብ እምባ ደርሆ- ኳንደባ-ገረሚ- ዓድ'ዘን- ዝርከቡ ውሑዳት እንዳታት ቤት-ኣስገደን፡ ዘርኢ ሚናብ-ለዊን/ ብዘመነ ቀዳማይ-ምንሊክ እተሰደዱ ካልኦት ሰማውያን-መራሕትን/ ኢና ብምባል፡ «ሹማግለ» ብዝብል ሽመት ዝንየቱ እኳ እንተኾኑ፡ ከም ህዝቦም መሬት ይሓርሱን-ግብሪ ይግብሩን እዮም። ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ-ህዝቢ ድማ፡ ዝኾነ ዓይነት ጸብለልትነት ኣይፍቀዶምን።

ካርነሽም፡ ከም ካልኦት ክፍልታት መረብ/ምላሽ ኣብ ትሕቲ ዕብለላ «እንዳ-ጸዓዘጋ» ብዝኣተወ፡ ኑቲ ኣብ ውሽጠም ኰነ ምስ ከባቢኦም፡ ብመሰረት ናይ ነገድ-ኣፈላላይ ዝኣተወ ምስሕሓብ-ኩናትን- ንምዕራቕ፡ ሓደ ማእከላይ-መዝነት ናይ ምቛም ግድነት ተራእየ። ስርዓት-ጸጥታ ንምሕላው ድማ መብዛሕትኡ ጊዜ ካብቶም ሓይልን-ሃብትን ዝደለቡ "ዘርኢ-እዛር" እዮም ዝምረጹ ነይሮም።

ብዘመነ ደጊያት-ሃይሉ፡ እዚ መዝነት'ዚ ኑቲ እሙን-ተባዕ ወታሃደሩን ዝኾነ «እንዳ-በኺት» እዩ ተዋሂብዎ ዝነበረ።

በኺት፡ ኑቲ እንዳኡ ብድሮ ኣረጋጊጽዎ ዝጸንሐ መዝነት፡ ብዓይነትን-ውልቃዊ ተበግሶን ዝያዳ እዩ ክብ ኣቢልዎ ጸኒሑ። ነዚ'ውን ተወሳኺ ዝኾኖ፡ በኺት ምስ ወ/ሮ ጉማሳ ካብ እንዳ-ኣስገደ(ክቡር-ልኡላዊ ዝበሃል እንዳ ካብ ዘርኢ-ሚናብ) ምስ ተዋሰበ እዩ። እዚ እንዳ'ዚ፡ ኣብ ጥንታዊ-ዘመናት፡ግዝኣት ናይቲ ምሉእ ከባቢ እዩ ጠቕሊሉ ነይሩ። ስለ'ዚ እዩ'ውን ደጊያት-ሃይሉ፡ ብማሕበራዊ-ደረጃ በኺት ተኣማሚኑን- ብኣኡ ኣቢሉ ድማ፡ ቅሳነት ካርነሽም ንምርግጋጽ- ብዘይካ ናይ ሽመት ምስሉይነት፡ ንበኺት ከም መራሒ ሽውዓተ-ዓድታት ክኸውን መረጾ።

ቀጺሉ፡ ሃይሉ ምስ ሃጸይ-ተድሮስ ዕርቂ ብዝፈጸመ፡ ኢድ ክንስእ ድማ ናብቲ ሃጸይ ምስ ተበገሰ፡ ኑቲ እማኒኡ ዝኾነ በኺት ምሳኡ ተማሊኡ፡ ከም ቅኑዕ- ፍሉይነት ዘሳልዮን ሰብ ኣቕረቦ፡ ምስቲ ሃጸይ ኣላለዮ። ተድሮስ ከኣ "ቀሚሽ-ሃሪ" ህያብ ኣወፍዩ «ከንቲባይ» ብዝብል ሽመት፡ መራሒ ምሉእ-ካርነሽም ክኸውን መረጾ።

እዚ ሽመት'ዚ፡ ኣብቲ ብሰንኪ ምትሕንፋጽ ብዙሓት ህዝብታት ተፈጢሩ ዝጸንሐ ምስሕሓብን- ዘኸትሎ ስንፍና ናይቲ ከባብን- ብዓቢ ደስታ እዩ ተቐባልነት ረኺቡ። ዓድ-ንፋስ ግና፡ ዋና-መደበር ናይቶም ጥንታውያን ጉይቶት-ካርነሽም ዝኾኑ ቤት-ኣስገደ ብምዃኑ፡ «ውስጠ-ጉልቲ» ተባሂሉ፡ ካብ ምምሕዳር ናይዚ ሓድሽ-ጉይታ፡ ሓራ እዩ ዝነበረ።

ኣብዚ ስዒቡ ዝቐርብ ጸብጻብ፡ ዘርእ-ወለዶ በኺት/ ቦኽር-ውላዱ ዝኾነ ደጊያት-ስባሁቱን(ህልዊ መራሕ-ካርነሽም *ኣብቲ እዋን'ቲ*) በብውልቶም ክግለጽ እዩ። ብጥ-ንቃቕ ምስ ዝምርመር ድማ፡ ኣንባቢ ኣገዳሲቲ መታሓሳሰቢ ክረኽበሉ ዝኽእል ኣርእስቲ እዩ።

ክንቲባይ በኺት

ካብ ወይዘሮ ጉማቕ በዓልቲ-ኣስገደ ዝወለደቶም

1ይ- ወይዘሮ ተመርጺ፡ ሰይቲ ኣሉላ በዓል-ጸዓዘጋ እያ።

2ይ- ወ/ሮ ጥምቀቱ፡ ምስ ሓደ በዓል ማይ-መፍለስ እያ ተዋሲባ። ሓድጊ-ኣይወለደትን።

3ይ- ደጊያት-ስባሁቱ፡ ቅድሚ መግዛእቲ-ኢጣልያ፡ ክንቲባይ-ካርነሽም እዩ ዝነበረ።

4ይ- ልጅ-እውዓሉም፡ ኣንጻር ራእሲ-ወለንኪኤል እናተዋግአ፡ ኣብ ሃዘጋ እዩ ተቐቲሉ። ኣብ "ኣፍደዩ" እተዋሰበት ጓል እያ ዝርከቡ።

5ይ- ልጅ-ሰጊድ፡ ኣንጻር ደጊያት-መኰንን ወድ-ራእሲ ወለንኪኤል እናተዋግአ እዩ ሞይቱ። ሓንት-ጓል እዩ ወሊዱ። ኣብ ድባርዋ ተዋሲባ ድማ፡ ብድሕር-ሞት በዓል እንዳኣ፡ ኣብ እምባ-ደርሆ ምስ ውላዳ ትነብር።

6ይ- ወ/ሮ ክዒዋ፡ ቀዳማይ-ሓዳራ ደግያት ሃይሉ እዩ። መኸን ኰይና ግን ተፈቲሓ ምስ ሓደ በዓል ሞለዛናይ ዳግመ ተዋሰበት። ብዘይ ውላድ እያ'ውን ሓሊፋ።

7ይ- ልጅ ኣባ-ቡላ፡ ኣብ ንእስነቱ፡ ኣንጻር ራእሲ ወለንኪኤል እናተዋግአ እዩ ተቐቲሉ።

8ይ- ብላታ በራኺ፡ ናይ ብሓቂ ጐይታ ኣስመራ እዩ።

9ይ- ወ/ሮ ዕቕባማርያም፡ ክልተ-ኣዋልድ ዝወለደት መበለት እያ።

ደጊያት ስባሁቱ

ካብ ወይዘሮ ግስት ጓል ክንቲባይ ልጃም-ዓድ ክፍሎም (ድምበዛን) ዝወለዶም

1ይ- ክንቲባይ-ተድላ፡ 35-36 ዓመት ዝመልአ እዩ። በዓልቲ-ቤቱ ወይዘሮ ደመቀሽ እተባህለት ጓል ክንቲባይ-ጎደፋ በዓል ጉራዕ እያ። ካብዚኣ'ውን፥ ልጅ-በላይ እተባህለ ህጻን ወድ 7 ዓመት/ ኣልማሽ እተባህለት ጓል 4 ዓመትን ዝወለደ እዩ።

2ይ- ወይዘሮ ጥሩ፡ ሰይቲ መዋቲ በላምበራስ-ኣባይ መራሒ ጉንደት እያ። ካብዚ'ውን፡ ክልተ-ደቂ ወለደት፥ ልጅ-ንጉስ፡ 11-12 ዓመት ዝዕድመኡ ምስ እኖ'ሓጎኡን-ኣደኡን ሓቢሩ ኣብ እምባ-ደርሆ ይነብር። ካልኣይቲ ውላዳ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ንሓደ ዘመድ ፊትወራሪ-መንገሻ በዓል ዓደ'ርባዕተ እተመርዓወት፡ ጓል እያ።

3ይ- ወ/ሮ ወርቃ፡ ማእምን ካሕሳይ- ወዱ ንቲ ብዘመን ተድርሶ ኰነ/ ኣሉላ/፡ መራሒ ኣስመራ ዝነበረ በላምበራስ-ጉራደ በዓል ኣጽማሃ- እያ። ይልማ- ገብረ እግዚኣብሄር-እተባህሉ ምስኣ ኣብ ኣስመራ ዝቕመጡ ክልተ-ኣወዳት ዝወለደት እያ።

4ይ- በላምበራስ ምኒሊክ፡ ጎበዝ ወድ 26 ዓመት እዩ። በዓልቲ-ቤቱ፡ ወይዘሮ ለምለም እተባህለት፡ ጓል ደጊያት ባህታ-ሓጐስ እያ። ሓደ-ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ድማ፡ ትበርሀ እተባህለት ጓል ዝወለዱ እዮም። ምኒሊክ ን ወ/ሮ ለምለም ከኣቱ፡ ብሓምኡ ባህታ-ሓጐስ ተገዲዱ ኣብ ሃይማኖት-ካቶሊክ ኣመነ። ብቐድመኣ ግን፡ ምስ ወ/ሮ ኢለን እተባህለት ጓል ኣይተ-ገረኣምላኽ በዓል ዓድ-ኂላ(ስለ'ዚ እውን ወ/ሮ ኢለን ን ልጅ-በየነ፡ ሓውት-እኖኡ ምኺና እያ) ተዋሲቡ ጸኒሑ፡ ሓንቲ-ጓል ዝወለደ እዩ። ንጓል ባህታ-ሓጎስ ከኣቱ እዩ ን ወ/ሮ ኢለን ፈቲሕዋ።

5ይ- ወ/ሮ ኣምለሱ፡ ሰይቲ ግራ-ኣዝማቲ ጉብሳ በዓል-ጸዓዚጋ እያ። ካብኡ'ውን ኣብ መጀመርያ 1893 ዓ.ም. ዓምደ-ሃይማኖት እተባህለ ወዲ ወለደት።

6ይ- ልጅ-ኣስፍሃ፡ መንእሰይ ወድ 12 ዓመት፡ ሕጹይ ትዕበ እተባህለት ጓል-ክንቲባይ ተስፋጽዮን በዓል ዓድ-ንእምን(ሸውዓተ-ዓንሰባ) እዩ።

ደጊያት-ስባሁቱ፡ ብዘይካ'ዞም ሕጋውያን ደቁ፡ 9-10 ዓመት ዝዕድመኡ ልጅ-ገብረመድህን እተባህለ ካብ ኣገልጋሊቱ ብወሰን ዝውለደ ውላድ እውን ይርከቦ። ነዚ ኣብ ልዕሊ ዘኸብሩን-ዘፍቅሩን በዓልቲ-ቤቱ ዝፈጸሞ ጉድለት፡ ዝሓፍረሉ'ኳ እንተኾነ፡ ውላዱ ምሳኡ እዩ ዝነብር። ኣዝዩ ስለ ዘፍቅሮ። ወ/ሮ ግስት እውን ከምኡ፡ ከም ወላዲት እያ ትናብዮ።

ደጊያት-ስባሁቱ፡ ብንጉስ-ዮሃንስ ኣዝዩ እተፈተወ ብምንባሩ፡ ልብሲታት-ሃሪ/ ግሩማት ኣፍራስ/ ብሉጻት ብረት፡ ዝኣመሰሉ ህያባት በቲ ንጉስ ይውሃብዎ ነበረ። ተኸታሊ እንዳ ጸዓዚጋ ብምዃኑ ድማ፡ እንጻር "እንዳ ራእሲ-ወልደንኪኤል" እዩ ዝነበረ ሰልፉ።

ራእሲ-ኣሉላ ምስ ወለንኪኤል ኩናት-ክገጥም ንመረብ/ምላሽ ምስ መጸ እውን፡ደጊያት-ስባሁቱ ወገን ኣሉላ እዩ ዝነበረ።

ኣብተን ናይ መጀመርያ ኣርባዕተ-ዓመት ምምሕዳሩ፡ ኣሉላ እውን ን ደጊያት-ስባሁቱ ፈታዊ መሲሉ እዩ ቀሪብዎ። ኩነታት ናይቲ ሃገር ኣጸቢቑ ብዝመለኸ ግና፡ ክመልክ ፈተነ። ምእንት'ዚ ድማ፡ ስባሁቱ ምትእምማን ስኢኑ ጊዜኡ ኣብ ዝጠዓመሉ እዋን፡ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ኣባላትና(ኢጣልያ) ምኻን መረጸ።

ስባሁቱ፡ ብህዝቡ ኣዝዩ ዝኽበረን- ብኸኤው/መረብ እውን ክይተረፈ፡ በዓል ዓቢ ዝና እዩ። ብዛዕባ ኣብ ትግራይ ኰነ- ኪኖኡን፡ ዝግበርን-ዝሕሰብን ውዲታት ወትሩ ደቂቕ ዝኾነ ሓበረታ-ጸብጻብ ኣይፍለዮን።

ተኸታሊ ሃይማኖት-ተዋህዶ፡ ግብራዊ ኣማንን እዩ። ቅንዕና/ ኣገባብ ስነ-ስርዓት/ ሚላ- ተዓጻጻፍነት/ ዝኣመስሉ ተውህቦታት ምስቲ ህድኣቱ ተደሚሮም፡ ከም ዘይንዳእ-ሰብ ኣምሲሎሞ እንተቐረብዎ፡ እቲ ደጊያት-ስባሁቱ ጥቕሙ ንምሕላው ፈቐዶኡ ብመጽናዕቲ ዝምስርቶ ዕርክነት- ዝምድናን- ተመልኪትካ፡ ኣዝዩ ጥንቁቕ ዝግባእ ዜጋ ምዃኑ ምዝንጋዕ ኣይግባእን።

ኣብነታት ንምጥቃስ፥ እቲ ኣብ ጉማግም-ባሕሪ/ ኣብ ሳሆ- ኪኖኡን ብሰላሕ እናሰርሐ ኣዝዩ ዝፍራሕን-ሓያል ዝኾነን "ኣዳም-ኢጋ"፡ ዘመዱ እዩ። ወድ-ዘማኡ ብምዃኑ። እዚ ድማ ከገርም ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝነብሩ ህዝብታት፡ ካብ ወሰናስን ሓባብ ጀሚሮም ክሳብ ፈለግ-መረብ፡ ሓድሕዶም ይዋሰቡ እዮም። ደቕ-ኣንስትዮ ድማ ብመርዓ፡ ኣብ ሃይማኖት በዓል-ቤተን ይኣትዋ።

ስባሁቱ ምስ ደጊያት ባህታ-ሓጐስ ዘለዎ ዕርክነት፡ ካብ ስድራኦም ዝጸንሐ'ኳ እንተ-ኾነ፡ ንዓኡ ንምድልዳል፡ ስባሁቱ ን "ምኒሊክ" እተባህለ ወዱ ምስ ሓንቲ ጓል ባህታ

ኣዋሲቡ ንባህታ ዓርኩ ከየቐደም ንማለት፣ ወዱ ኣብ ሃይማኖት-ካቶሊክ ክኣምን (ክጥ-መቕ)፣ ተቓውሞ ኣይገበረን።

ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖት-ተዋህዶ ዘለዎ እምነት፣ ምስ እንዳ ዓድ-ሸኽ እምበረሚ ዘለዎ ጸቢብ ዕርክነት/ርክብን ኣይዓገቶን።

ዓድ-ሸኽ እምበረሚ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ኤርትራ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ህዝብታት፣ ከመይ ዝበለ ጽልዋ ምህላው፣ ማንም ዘይስሕቶ እዩ። ኣብ ጽድያ ናይዚ ዘለናዮ 1893 ዓ.ም.፣ ደጊያት-ስባህቱ ኣብ እምባ-ደርሆ ዝርከብ ኣዳራሹ ን *መሓመድ-ዑስማን* ከመይ ዝበለ ድሙቕ እንግዶትን/ናይ ክብሪ ዕድመን ከም ዝገበረሉ ዝዝከር እዩ። *መሓመድ-ዑስማን*፣ ወዱ ነቲ ከም ጻድቕ ክቢሩ፣ ኣብ እምበረሚ ዝርከብ መቓብሩ ድማ ኩሎም እቶም ኣብ ግዝኣትና(ኢጣልያ) ዝርከቡ እስላም ዝነግድዎ *ሸኽ-መሓመድ* እዩ።

ስባህቱ ካብ ዘለዎ ድኸመታት፣ ፈታው-ገንዘብ ምዃኑ ይዝከር። ምእንት'ዚ እውን ሓድሓደ ምድላዋት- ዓመጽ- ኣይተሳእኖን ከም ዝሕመ።

****

IV. ኣከለ-ጉዛይ

<u>እንዳ ደጊያት ባህታ-ሓጐስ በዓል ሰገነይቲ</u>



ሓጐስ፣ ክኢላ ሰብኣይ በዓል *ሰገነይቲ*እዩ። ደሞክራሲያዊ-ልምድታት ዓዱ ስለ ዘይፈቕዶ ማና፡ዝኾነ ሽመት ኣይጸንሖን። ከም ዝመስሎ፣ ነቲ ብጥበቡን-ሃብቱን ዘጥረዮ ባህር-ያዊ-መዝነት፣ ናብ ናይ ሓቂ ጐይትነት ንምልዋጡ ዝሃቀነ ዚጋ እዩ'ውን ይበሃል።

ብዝኾነ፣ መብዛሕትኡ ክፍሊ ኣከለ-ጉዛይ (ብሕልፊ ድማ እቶም ኣብ ከባቢ ሰገነይቲ ዝርከቡ ዞባታት) ወገን ናይቲ ባህላዊ ሓርነቶም ንምዕቃብ ዝሓለየ «እንዳ-ሃዚጋ» ኮይኖም'ኳ እንተጸንሑ፣ ሓጐስ ወገን «እንዳ-ጸዓዚጋ» እዩ ዝነበረ።

ምስ'ቲ ተኸታል ደጊያት-ሃይሉ ዝኾነ በኺት(ክንቲባ-ካርነሽም) ኣስዒቡ ዝመስረቶ ዕርክነት እዩ ነቲ፥ «..ንሱ'ውን ኣብ ዓዱ ብደገፍ *እንዳ-ጸዓዚጋ* ኣቢሉ፣ እቲ በኺት ዘለዎ ደረጃ ምብጻሕ እዩ ዕላማኡ...» ዝብል ትሕም፣ ርጉጽ ኣምሲልዎ። ስለ'ዚ'ውን ኣንጻሩ ስሩዕ-ምንቅስቓስ ተላዕለ። ካብ ዕሊታት ሓደ-መዓልቲ፣ ዓዲ ኣብ «ማሕበር» ተኣኪቡ ኣብ ዝነበረሉ፣ ኣብ ሓደ ናይ ጉዳዮም ዘተ፣ ሓጐስ ዘቕረቦ ርእይቶ ዓብላሊ ኮይኑ ተረኺበ። እቶም ተጻረርቲ-ወገን በዚ ተቖጢዖም፣ ኣብ መንገዲ ኣድብዮም ጸኒሖም ጉቢጦም ቀቲልዎ።

ሃጸይ-ዮሃንስ ኣብ መጀመርያ እዋናት ንግስነቱ፡ "ፊትወራሪ-እምባየ" ንእተባህለ ወድ-ኣኮኡ ማለት ወድ-ራእሲ ኣርኣያ በዓል እንድርታ(ኣደ ንጉስ-ዮሃንስ/ራእሲ ኣርኣያን/ ኣሕዋት ምኺኖም እዮም) ን ኣከለ-ጉዛይ ከመልኮ ልኢኽዎ ነበረ።

ፊትወራሪ-እምባየ፡ ንዓድ-ሓበሻ እውን ብዘሰክሕ ኣገባብ፡ ነቲ ዓዲ ኣደራዕ ምስ ኰና፡ ኣርዑቱ ምጽዋር ዝሰኣነ ህዝቢ ብምሉኡ፡ ኣንጻሩ ተላዕለ። ስድራ-ቤት ሓጐስ እዮም ድማ መራሕቲ ናይቲ ምልዓል-ናዕቢ ዝነበሩ።

ንንጉል- ተኽሉ -እተባህሉ ክልተ ደቅ-ኣሕዋቱ ንሓጐስ፡ ኣብቲ ኩናት ተቐትሉ። ወድ-ሓወቦኦም ዝኾውን ባህታ እዩ ግና ንፊትወራሪ-እምባየ ብኢዱ ቀቲሉ፡ ሕነኦም ፈደዩ። ተጋሩ ተሳዒሮም፡ እንደገና ንመረብ ሰጊሮም ወጹ። ስዒቡ ግን፡ ንጉስ-ዮሃንስ ኣንጻር ሰራዊት-ግብጺ ከቲቱ ኣብ «ጉራዕ» ምስ ተዓወተ፡ ባህታ ምስ መላእ-ስድራኡ ዓዲ ለቒቑ ንስደት ተገደደ። ንእተወሰነ እዋን ኣብ «ዓጋመታ» ብኹብለል ድሕር-ምጽናሕ፡ ብሰምሃር- ከረን- ኣቢሉ ኣብ ሓባብ ዑቕባ ረኸበ። ኣብኡ 8-9 ዓመት ድሕር-ምጽናሕ ኣገልግሎቱ ንመንግስቲ-ኢጣልያ ኣወፍዩ ብ 1888 ዓ.ም. ቅቡል ኰይኑ ምስ ተረኸበ እዩ ድማ ሓድሽ-ምዕራፍ ህይወቱ ከፈቱ።

ተከአ፥ ቦኽር-ውላድ ሓጐስ፡ ክልተ ደቂ ገዲፉ ብባህርያዊ-ሞት እዩ ሞይቱ። ካብ ዝወለዶም-ውላድ፡ እቲ ዓንዱ እተባህለ ቀዳማይ፡ ቀኝ-ኣዝማቲ እዩ። ቀላቲ እተባህለ ዳሕረዋይ፡ ተራ-ዓስከር ኰይኑ፡ ክልቲኦም ብሓባር ኣብ ባንዳ ሓወ'ቦኦም ባህታ ተሰሊፎም የገልግሉ።

ካሕሱ፥ ብሕማቕ ኣማውታ እዩ ሞይቱ።ምስ ኣሕዋቱ ተሰዲዱ ኣብ ሰንሰለት-ኣኽራናት «ዓጋመታ»፡ ብራእሲ-ኣሉላ ንሞት ይህደኑ ኣብ ዝነበርሉ እዋን፡ ኣንጻር ባህታ ሓው ኪቃወም ጀመረ። ዝያዳ ሓለዋ ንከዘውትር/ ካብ ራስያ-ኣንነታዊ ዝምባለን ክቑጠብ/ ሚዛን ክሕሉ/ ምሕረት ከዘውትር.....ወ.ዘ.ተ. ዝኣመሰሉ ብባህታ ሓው ይወሃቦ ዝነበረ ምዕዶታት፡ ፈጺሙ ምኽታል ኣበየ። ክብሉ...ክብሉ ድማ፡ ካብ ዕለታት ሓደ-መዓልቲ ክልቲኦም ኣሕዋት ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ሓያል ምስሕሓብ ገበሩ። ኣብ ዝነበረ ክርክር ካሕሳይ ከም ኣመሉ ንመግናሕቲ-ምኽርታትን ሓው ነጺጉ፥ ኣገልጋሊኡ ከም ዘይከውንን- እቲ ንሱ "ስብከታት" ኢሉ ዝገመቶ ማዕዳ ደው ምስ ዘየብሎ፡ ኣብ መሳርዕ ራእሲ-ኣሉላ ምስላፍ ከም ዝመርጽ፡ ንባህታ ሓው ኣጠንቀቖ። ባህታ፡ እዚ ብዝሰምዐ ብኩቱር ሕርቃን ነብሱ ምቍጽጻር ሰኣነ። ካብ መቕነቱ ብረት መዚዙ ድማ፡ ነቲ ኣብ ቅድመኡ ከፍ ኢሉ ዝነበረ ሓው፡ ተኲሱ ቀተሎ።

ካሕሱ፡ ወድን-ጓልን ሓዲጉ እዩ ሞይቱ። እቲ ወዲ "ገብረንጉስ" እተባህለ መንእሰይ ወድ 15 ዓመት፡ ዋሕዲ ጥዕናን- ናይ እግሪ ማህሰይትን ዘለዎ፡ ምስቲ ዝፈትዎ ሓው-ኣቦኡ ሰንጋል እዩ ዝነብር። ምስቲ ኣቦኡ ዝቐተለሉ ባህታ ግን፡ ብዙሕ ኣይሳነን። እታ "ምስሉ" እተባህለት ጓል-ካሕሱ፡ ምርዕውቲ እያ። ናብራኣ ድማ፡ ኣብ ኣኸሩር እዩ።

ሰንጋል፥ ኣብ ጭፍራ ባህታ ሓው እተሰርዐ ኣዝማቲ እዩ። "ዓሻ" ምስ እተባህለት ካብ እንዳ-ከንቲባይ ሰብ ዓድ ተኽለስ እዩ ተዋሲቡ። ከንቲባይ-ታፍላ፡ ብካልኣይ-መስመር ዝውለድ ኣባሓጎኣ እዩ። ብዛዕባ ኣቦኣ-ወላዲኣ ንዓሻ ግን፡ መሓመድ-ማሕሙድ እተባህለ ዜጋ ምኺኑ እንተዘይኰይኑ፡ ካልእ ሓበረታ ኣይርከብን። ንሰንጋል ከትምርያ፡ ከምቲ ኣብ መረብ/ምላሽ ዘሎ ልምዲ፡ ኣብ ክርስትና ኣሚና "ለተጊዮርጊስ" ብዝብል ስም ተጠመቐት።

ሓጐስ ካብ ዝወለዶም ሓንቲ-ጓል ንውልቃ ወ/ሮ ግምጃ፡ኣብ "ሰኽይቲ" እዩ ሓዳራ። "ተድላ" እተባህለ ሓደ-ውላዳ፡ ብላታ ተባሂሉ ኣብ መስርዕ ባህታ ሓዋ ዝዓስከረ እዩ።

ካብ ደቅ-ሓጐስ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝያዳ ኣገዳስነት ዘለዎ ውላዱ ምዝራብ እዩ ተሪፉ ዘሎ።

ብዛዕባ'ቲ ኣንጻር-እምባየ- ደበብ- ካልኦት ሹማምንቲ ትግራይን ዘካየዶ ናይ ጅግንነት ፍጻሜታት ኣብ ደቂቓቱ ከይኣተና፡ ባህታ ወትሩ ዓቢ ትብዓት ዘመስከረ ጅግና እዩ ምባል፡ ኣኻሊ እዩ።

ትርኢቱ፡ ግርማ ዝመልኦ በዓል-ሻም፡ ኣገባብ ስርዓት-ሕግን ስለ ዝኽተል ድማ፡ ኣኽብሮት እውን ዝግበኦ ምኺኑ፡ ሻዓይሉ ኣብ ቀዳማይ-ሊላ እዩ ርዱእ ዝኾውን። ገጹ

ወትሩ ዓቢ ሓዘን የመልክት። መቕረባኡ ከም ዝገልጽዎ ድማ፡ ገዳይ ካሕሳይ ሓው ብምዃኑ፡ ዛጊት በዓል-ሓዘን እዩ። ነዚ ብውሽጢ ዝሳቐዮ ማዕሳ ዘመስከሩ ብዙሓት ዘደፋንቑ ዛንታ ይዝንተውሉ እዮም። እቲ ብናይ ሓቂ መንገዲ ኣብ ሃይማኖት-ካቶሊክ ዘለዎ እምነት'ውን፡ምናልባት ንዙንነፎ ፈተነ ምሕረት ክረኽበሉ ብዝብል ተስፋ ከይኮነ ኣይተርፍን።

ብዛዕባ'ዚ ናይ ምሕረት-ትእምርቲ ዝያዳ ደገፍ-ኣስተምህሮን ዝረኸበ ድማ፡ ብናይ ኤውሮጳ ሚስዮናውያን ድኣ'ምበር፡ ብቶም ደረጃ ሃይማኖታዊ-ኣፍልጠኦም ለጠቕ ዝበለ ካህናት ተዋህዶ ኣይኮኑን።

ብመንግስቲ-ኢጣልያ ዝኣመነ/ ዝአመነን ዜጋ እዩ። ዋላ'ውን ኣብ ቅድሚ ስድነት-ግጉይ ስርዓት ናይ ሓድሓደ ዋዒ-ንእስነት ዘጥቅዮም መንእሰያት-ኢጣልያ እንተኾኑ፡ ካብ ዕላማኡ ሰገጥ ከይበለ፡ ክብን-ለጠቕን መግዛእታዊ-ፖሊቲካ ኢጣልያ ተጻዊሩ ዝነብር እዩ።

ምስ ካፒታኖ(ግብጣን)-ቢርባንቲ፡ ዓቢ ፍቕርን-ምሕዝነትን ይኣስሮም። ምእንታኡ'ውን ንዝኾነ ዓይነት መስዋእቲ ድሕር ኣይምበለን።

ምስ ደጊያት-ስባሁቱ በዓል ካርነሽም እውን፡ ዓቢ እዩ ፍቕሮም። ነዚ ከኣብ ወለዶም ዝወረስዎ ምትእስሳር፡ብመውስቦ ቃል-ኪዳን በላምበራስ-ምኒሊክ ወድ-ስባሁቱን/ ወይዘሮ ለምለም ጓል-ባህታን ኣቢሎም፡ ብዝያዳ ከም ዝጸንዕ ገበርዎ። ምኒሊክ ን ወ/ሮ ለም-ለም ክእቱ፡ ሃይማኖቱ ለዊጡ ካቶሊክ ክኸውን ዝብል ባህታ-ሓጐስ ዘቕረቦ ኩነት ተቐቢሉ እዩ ነቲ ዕርክነት ኣደልዲልዎ።

ደጊያት ባህታ-ሓጐስ ግን ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ብዙሓት ጸላእቲ'ውን ይርከብዎ እዮም። ንቕድም፡ እቶም ቅንኢ ዘጥቅዮም ውልቀ-ሰባት ክጥቀሱ ይከኣሉ። ስዒቦም፡ ነቲ ደረት ዘይብሉ መዝሙቱ ክጻወሩ ዘይከኣሉ ዞብኣውያን-መራሕቲ ይኹኑልዎም። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እቶም ብጥንታዊ ሓርነት-ነጻነትን ኣከለ-ጉዛይ ተዘኻኺሮም፡ እዚ ወረዳ'ዚ ብምሉኡ ብድሕር ነዊሕ ክፍለ-ዘመናት፡ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ ወታሃደራዊ ውልቀ-ምልኪ ምእታው ዘሕዘኖም ሰባት፡ ጸላእቲ ባህታ-ሓጐስ እዮም።

ባህታ-ሓጐስ፡ ፈታው-ገንዘብ ምዃኑ ይገለጽ። ኣብ ህልዊ-እዋን(ሽዑ ማለት'ዩ) ደሊብዎ ዝበሃል ሃብቲ ብግምት፡ 600 ሽሕ-ሊረ ኣቢሉ ይግምገም።

ምስቲ ኣብ ጭፍራኡ ቀዳማይ ምክትል-መራሒ ዝኾነ ሰንጋል እተባህለ ሓው፡ ብጽ-ቡቕ-ስኒት ይነብሩ።

ስድራ-ቤት ባህታ ሓጐስ/ ወይዘሮ ንቕሳ በዓልቲ ሰገነይቲ

1ይ-ግራእዝማቲ ገረመድህን	2ይ-ትምኒት	3ይ-ለምለም	4ይ-ለተሱስ	5ይ-ሚካእል
ጎበዝ ወድ 18-19 ዓመት እዩ። ምስ ሓንቲ ጓል ግራዝማቲ ምዑ-ጠልቃ በዓል መረታ-ሰበነ እተዋ-ሰበ እዩ።	ሰይቲ በላም.ንጉስ ወድ-ከንቲባይ ሰበ-ሮም በዓል ማዕረባ እያ። ንጉስ እውን ኣብ ሃይማኖት-ካቶ-ሊክ ዝኣመነ እዩ።	ሰይቲ በላ.ምኒሊክ ወድ-ደጊያት ስባሁቱ በዓል-ካርነሽም እያ።	ህጻን-ጓል 8-9ዓመት እያ።	ህጻን-5-6ዓመት እዩ።

****

ብዛዕባ ፖሊቲካዊ ኣወዳድባ ኣከለ-ጉዛይ

ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ እዚ ብሉጽን-ኣጉዱስን ወረዳ መረብ/ምላሽ፡ ን ኩሉ'ቲ ከበሳን-ገማግም ባሕርን ዘራኽብ መስመራት ወኒኑ፡ ንክፍለ-ዘመናት ዝኣክል «ፈደራላዊ-ረፑብሊክ» ብዝመስል ኣገባብ እዩ ክመሓደር ጸኒሑ። ወትሩ ድማ ባዕለ-ምሕዱር እዩ። ብዘመነ ደጊያት-ውቢ ድኣ ግብረ ክዋብር ተገደደ። ነዚ'ውን ውቢ፡ ብሓይል-ጻዕሪ እዩ ተዓዊትሉ። ቅንዕና ዘይነበሮ መን-ገድን/ ጨካን ፖሊቲካዊ-ሜላን ተጠቒሙ ንሰራዊ ኣንጻር ኣከለ-ጉዛይ እንተዘየሰልፎ ድማ፡ ኣብ ዕላማኡ ኣይምበጽሐን።

ብቕድሚ 1844 ዓ.ም. ኣብ ዘሎ እዋናት (ማለት ቅድም'ቲ እተመልከሉ ጊዜ) እዚ ወረዳ 'ዚ ን ልኡላዊ-ስልጣን "ንጉሰ-ነገስት"፡ ብመልክዕ ሀያብ ሓደ ምንጻፍ/ ሓደ ጠበንጃን ኣቢሉ እዩ ዝፈልጦ ዝነበረ። እዚ ሀያባት'ዚ ድማ በብዓመቱ ኣብ በዓል-መስቀል፡ብወኪላቱ እዩ ዘረክቦ ነይሩ።

ካብ ቀደም'ውን እንተኾነ፡ ን መዝነት «ባሕረ-ነገስታት» ይኹን/ ንቲ ሰዒቡ ዝመጸ ስልጣን መኰንናዊ «እንዳ-ተሰፋጽዮን»፡ ሓርነቱ ዓቂቡ እዩ ተቐቢልዎ።

" ምምሕዳር-ሕጊ " ዝምልከቱ ጉዳያት'ውን፡ ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ፡ እቶም ንውልቀ-ዜጋታቱ ዝምልከቱ ኣቢያተ-ፍርዲ ይኹኑ/ ምስ ዓድታት ካልእ ወረዳ ኣብ መረብ/ምላሽ ክለዓሉ ንዝኽ-እሉ ጠንቅታት/ ዘዳንዩ ትካላት፡ ምሉእ ሓርነቱ ዓቂቡ እዩ «ስርዓተ-ሕጊ» ክመሓድር ጸኒሑ።

ኣብ ኣከለ-ጉዛይ፡ ዝኾነ ዓይነት መዝነት ብምርጫ ይጸድቕ። ዝለዓለ ስልጣን ናይቲ ኮንፈ-ደራሲዮን ድማ፡ ኣብ «ማሕበር ሹም-ዓድታት» እምበር፡ ኣብ ውልቀ-ሰብ ኣይጥቕለልን። ደቅ-ትግራይ ኣብ ዝገዝእሉ ውሑድ እዋናት ግና፡ " ሹም-ነጋሪት " እተባህሉ ሰበ-ስልጣን፡ ንማሕበር ሹም-ዓድታት ተክእዎ። ንሕና(ኢጣልያ) ኢና ንመጀመርያ ጊዜ ብኣና ብዝኸፈሉ ሰራዊት እተሓለወ ሓደ ናይ ሓባር መራሒ ንምሉእ'ቲ ወረዳ ኣቐሚናሉ።

ኣብዚ ኣርእስት'ዚ፡ ግብጣን " እድጋርዶ ቢርባንቲ ሲልቫ " ብወርሒ ታሕሳስ 1892 ዓ.ም. ንዓይ'ሉ ዘዳለዎ ናይ ጽሑፍ-ምልክታ ከም ዘለዎ ገይረ ምቕራብ እንተዘይኰይኑ፡ ካብኡ ዝሓሸ ነገር ምድላው ኣይክእልኩን።

ንሱ፡ ነዊሕ-እዋን ኣብ ሰገነይቲ እዩ ነቢሩ። ኣብ ቤት ናይቲ ብዙሕ ዘፍቅሮን-ዘኽብሮን ባህታ ሓጐስ እዩ'ውን ተኣንጊዱ። እቲ ኣብ ክልቲኦም እተመስረተ ፍቕርን-ኣኽብሮትን ድማ፡ ሓድሕዳዊ እዩ ዝነበረ።

ብርእይቶይ(ደራሲ) እቲ " ካፒታኖ ቢርባንቲ " ዝጀመሮ እሩም ኣገባብ፡ ብቶም ድሕሪኡ'ውን ክመደቡ ዝኾኑ ሹማምንቲ(ሹማምንቲ ኢጣልያ)ቀጻልነት እንተድኣ ረኺቡ፡ እምነትን- ቅሳነትን ናይዚ ወረዳ ንሓዋሩ ክረጋገጽ ዝኽእል እዩ።

እቲ ብ "ካፒታኖ-ቢርባንቲ" ዝቐርብ ምልክታ ከም ዝሕብር፥

> «ኣብ ኣከለ-ጉዛይ፡ብምርጫ ዝስየሙ መራሕቲ፡ህላዌኦም ኣብቲዑ እዩ። ብቕድ-ም'ቲ መንግስትና ዝኣተወሉ እዋናት፡ኣብ ዳርጋ መላእ'ቲ ወረዳ ሹም-ዓዲ ይኹኑ ሹም-ጉልቲ፡ ብምርጫ እዮም ዝስየሙ ዝነበሩ። "ሹም-ዓዲ " ኣብ ማሕበሮም/ "ሹም-ጉልቲ" ድማ፡ ኣብ ማሕበር ሹም-ዓድታት/ ምምራጽ እዩ ድማ እቲ ዝነበረ ኣገባብ። ብሓፈሻኡ ግና፡ ሕጊ ቦኽሪ-ውላድ ይኸተሉ ብምንባሮም፡ ብግብርስ ኩሉ-ጊዜ ንሶም እዮም ብምድግጋም ዝምረጹ ሰባት።
>
> ኣብ ዘመነ ሃጸያት ተድሮስ- ዮሃንስ፡ እቲ ናይ ምርጫ ግዳማዊ-መልክዕ'ውን ተሪፉ፡ " ሹም-ጉልቲ " ዝብል መዝነት ብውርሻ ዝመሓላለፍ ስልጣን ኰይኑ መብዛሕትኦም መራሕቲ «ከንቲባይ» ብዝብል መጸዋዕታ ኣብ ደረጃ *በዓል-ቃሚሽ* ክብ በሉ።
>
> *መንግስትና(ኢጣልያ)፡ ሓፈሻዊ ርእይቶ ህዝቢ ምኽኑ ኣረጋጊጹ፡ ባዕሉ ሹም-ዓድታት ኣብ ምምራጽ'ውን በጺሑ። ናይ ሓባር ጥቕሚ(ኢጣልያ-ደቀ'ባትን) ኣብ ዝፈቕዶ ድማ፡ ነቶም ብውርሻ ኣብ ስልጣን ዝጸንሑ ሹም-ጉልታት ተቐቢልዎምን-ኣረጋጊጽዎምን።*
>
> *መዝነት ሹም-ዓዲ፡ ቀዋሚ ኣይኮነን። ብእሩም ጠባይ/ተማእዛዝነትን ይጸድቕ። ማንም ካብ'ዞም ሰብ-መዝነት፡ ግብሪ ካብ ምኽፋል ሓራ እተባህለ ኣይርከብን። ነፍሰ-ወከፍ ሹም-ዓዲ ድማ፡ ባዕሉ እዩ ንቲ " ነባራ " ዝመርጽ። «ነባራ» ማለት፡ እቲ ኣብ ሓማሴን "ኪደረ" ዝበሃል ተሓባባሪ ሹም-ዓዲ እዩ።*

እዚ ብመንግስቲ ዝፍቀድ "ሹም-ዓዲ" ዝብል መዝነት፡ ኣብቶም እተፈላለዩ ነገድ ወይ ደቃ-ደቂ ዝነብርዎም ዓድታት፡ካብ ረጽምን-ውዲታትን ዘገላገለ፡ጠቓሚ ኣገባብ ኰይኑ እዩ ተረኺቡ። ብሕልፊ ድማ፡ ኣብቶም ሃይማኖታዊ-ፍልልይ ዝርከቦም ዓድታት።

ንመጻኢ ግና፡ ብዝኸረ ጥንታዊ-ሓርነቶም ኣብ ዝለዓልሉ(ብፍላይ ድማ፡ ጉዳይ ጸጥታ ተረጋጊጹ/ እዚ ሉዓሊ ኣብ ውልቃዊ-ጥቕምታት ምትኳር ጊኑ ዝርከብ ዝምባለታት ምስ ዓረፈ)፡ ካልእ ሕድገታት ክግበር ናይ ግድን ክኸውን እዩ።

ከም ኣብነት «ሹም-ዓዲ» ኣብ ምምራጽ ጠቓሚ ክኸውን ዝኽእል ሓበረታ፥ ማሕበር-ዓዲ፡ ይበኞዑ ዝበሉም ሰለስተ-ኣስማት ይረቑሕ/ ማእከላይ-መንግስቲ ድማ፡ ካብዞም ሰለስተ ዝቐርቡ ሕጹያት፡ ንኹሉ ይጥዕም ዝበሎ ሓደ ሹም-ዓዲ ይመርጽ።

እዚ ኣገባብ'ዚ ግን ክይደረቐ፡ብካልእ ይሓይሽ ዝበሃል ኣገባብ'ውን ምትካእ ዝከኣል እዩ።

ርዱእ ብዝኾነ ምኽንያታት ግና(ሓደጋ-ሳዕቤን ከየኸትል)፡ እዚ «ሹም-ዓዲ» ዝብል መዝነት፡ ንዘይተወሰነ እዋን (ክሳብ ዕለት-ሞቱ እውን ስለ ዝዝውተር) ኣብ ሓደ-ሰብ ምጥቓላ ኣይግባእን።»

****

ደጊያት ባህታ-ሓጎስ

V. ሰራዩ

በላምበራስ ተስፋማርያም ዝውለደሎም እንዳ ሹም-ጉልታት

ኩሎም ኣብ ሰራዩ ዝርከቡ ሹም-ጉልቲ፡ ሓደ እዩ ዘርኢ-ትውልድና ካብ ዝብል ኩርዓት እውን ዘይተሳእኖ ኣተሓሳስባ፡ ብዝምድና ከም ዝተኣሳሰሩ ይኣምኑ። ንሳቶም፡ ብዘይካ ስክፍታ ካብ ሓደ ብ 1300 ዓ.ም. ኣቢሉ ነቢሩ ዝብልዎ ኣቕለ*ዐ* እተባህለ ጥንታዊ- ኣባሓጎኦም እትሒዞም ዘርኢ-ወለዶኦም ይጽብጽቡ።

እቲ ባህሎም ብዛዕባ ቅድመኡ ዝነበሩ ካልእ ኣስማት'ውን ይጠቅስ። እዚ ግን ዘይርጉጽን ምእማኑ'ውን ኣሸጋሪ እዩ።

ኣብ ሞንጎ ዘርኢ-ኣቕለዐ ብመሰረት ቅንኢ ይኹን ውሽጣዊ ዘይምስናይን፡ ዳርጋ ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ምምቕቓል እዩ ጸኒሑ። ከምዚ'ሉ እውን እቲ ወረዳ በብቑሩብ ኣብ እተፈላለዩ ንኡሳን-ጉልታት ተኸፋፊሉ።

መራጉዝ እተፈለየሉ እዋን ብልክዕ ኣይፍለጥን። ብርግጽ ግና ቅድም'ቲ "ቢለን-ሰገድ" እተባህለ መራሒ ዋና-ጨንፈር ናይቲ እንዳ ዝነበረሉ እዋናት እዩ ዝኾነ።

ቢለን-ሰገድ፡ ኣብ እዋን ንግስነት ሃጸይ ዘርኣ-ያቆብ (1434-1468 ዓ.ም.) እዩ ነቢሩ። ኣርጉ- *ቶ* ኣንበሳ እተባህሉ ክልተ-ደቂ ድማ ወለደ። ውርሻ ኣቦኦም ኣብ ክልቲኦም ተመቒሉ፡ ንኣርጉ «ማይ-ሰጎዳ» (ማይ-ጫዕዳ ወይ ማይ-ጻዕዳ ከከም ዞብኣዊ ኣደማምጻኡ) እንኪኸውን ብጽሒቲ፡ ቶ-ኣንበሳ «ምድሪ-ተኸላ» እዩ ወሪሱ።

ኣብ ጨናፍር ናይቶም ክፋል መራጉዝ-ተኸላን ዝበጽሖም እንዳታት፡ንነዊሕ-እዋን ስኒት እዩ ዓብላሊ ዝነበረ። ኣኽቲልና ከም እንርእዮ ድማ፡ ክሳብ'ቲ ብራእሲ ሚካኣል-ስሑል ዝጅምር ፋሉላዊ-ዘመን፡ እዚ ክልተ-ጉልቲ ብስምረት እዩ ነቢሩ።

ንሕማቕ-ዕድል ግን ኣብቲ ጉልቲ ማይ-ጻዕዳ ዝበጽሖ እንዳ፡ እቶም ስልጣን መኳንንቲ ዝዕቅቡን-ሓይሊ ዘደልዩን፡ ከም ስኒት/ ዘቢታዊ ስርዓት/ ምኸባር ሕገ-ቦኸር ውላድ.. ወ.ዘ.ተ./ ዝኣመሰሉ ረቛሒታት፡ ወርትግ ኣይተረኽቡን።

ኣብዚ እንዳ'ዚ ስኒት ዘይምህላው እዩ'ውን መንቀሊ ምኽንያት ናይ ኩሉ'ቲ ንማይ-ጻዕዳ ብፍላይ- ብሓፈሻኡ ድማ ንመላእ-ሰራዩ ዘናወጸ ጸገማት ዝኸውን።

ኣብቲ ንጨንፈር ማይ-ጻዕዳ ክሳብ'ዚ ዘለናዮ ወቕቲ ዝምልከት ብስርዓት ተጸኒዑ ቀሪቡ ዘሎ ጥብቆ ዘርኢ-ትውልዲ ጥራሕ ምስ እንዕዘብ፡ እቲ ቀጻሊ ምምቕቓል መሬት፡ ሳዕቤን ናይ ከመይ ዝበለ ጽልእታት ከም ዝነበረ ብቀሊሉ ምርዳእ ይከኣል።

ኣብ ታሪኽ ኣዚና ንድሕሪት ከይተመለስና፡ ኣብ መወዳእታ እዋናት ንግስነት ሃጸይ ዳግማይ እያሱ (1729-1753 ዓ.ም.) ጥራሕ ምስ 'ንምልከት፡ እቲ ንተኸሊት/ ኣዝማቲ(ኣዝማች)-ዑቕቢትን እተባህሉ ክልተ-ኣሕዋት ተረፉ ዝነበረ ንኡሰ-መሬት፡ ዝርካቡ፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ክልቲኦም ከም እተመቕለ ምጥቃስ ኣኻሊ እዩ።

ተኸሊት፡ ጉልቲ-ዓድ ኺላ እዩ በጺሕዎ። *ኣዝማቲ-ዑቕቢት* ድማ፡ እቲ ካብ ሽዑ እትሒዙ ጉልቲ «እንዳ'ዝማች ዑቕቢት» እተባህለ ወገን ተፈለየሉ።

ምስሕሓብ ዘርኢ-ተኸሊት ንሓድሕዱ ግን፡ በዚ ኣይዓረፈን። ኣብቲ ፋሉላዊ እዋናት ዝጀመረሉ ወቕቲ፡ ኣባላት ሓደ እንዳ ክነሶም፡ ኣብ ተጻረርቲ ዓውድታት ተሰሊፎም፡ ብብረት ሓደ ኣንጻር'ቲ ሓደ ተሳዕሉ። *ኣይተ-ክፍለት* ወይ ክፍለት እተባህለ ወድ-ተኸሊት፡ ምስ ጓል-ደጊያት ዓምደ-ሃትማኖት ካብ " ልኡላን ቤተ-ሰብ ጸዓዚጋ "

ተዋሲኡ ጸኒሑ፣ ኣርባዕተ-ደቂ ወለደ። *ገብረልኡል- ገብረድንግል- ኣስራት- ተኸሉ ኣባል- ይብሃሉ።*

ኣይተ-ሚካኤል ስሑል፣ራእሲ-ትግራይን/ ተጣባቒ ንግስነት-ኢትዮጵያን/ ዝብል ሽመት ምስ ተዋህቦ፣ ኣንጻር እንዳ-ጸዓዘጋ ኣብ እተሳዕለሉ፣ *ደጊያት ዓምደ-ሃይማኖት* እዩ ሰራዊቱ ኣኸቲሉ፣ ስርዓት ንምምላስ ኣንጻሩ ተላኢኹ። ከምቲ ድሮ ኣብ ካልእ-ክፍሊ እተጠቕሰ ሕጂ'ውን ንምዝኽኻር፥ ሚካኤል-ስሑል ኣብ ሕሉፍ እዋናት፣ ኣብዚ እንዳ'ዚ -እንዳ ጸዓዘጋ- በዓል ገዛ ኰይኑ ጸኒሑ፣ ብደገፎም እዩ ድማ ክሳብ ደረጃ ኣመሓዳሪ-ዓድዋ ክብ ምባል በቒዑ ዝነበረ።

ተኸሉ ኣባል፣ እቲ ዝንኣሰን- ስለ'ዚ'ውን ዋዒ ንእስነት ዘጥቅዖ ኰተት- ካብ ደቂ ኣይተ-ካፍለት፣ ምስ እኖሓጎኡ(*ደጊያት ዓምደ-ሃይማኖት*) ሓቢሩ፣ ንትግራይ ተሳዕለ።

ምሳኡ'ውን ኣንጻር ሚካኤል-ስሑል እናተዋግአ፣ *መስተንክር ዝኾነ ብልሕን-ተብዓትን* ኣመስከረ። ውጽኢት ናይቲ ኩናት ግን፣ ንሰብ-ስርዓት ኣይቀደወን። ዓምደ-ሃይማኖት ብዝተሳዕረ ድማ፣ ወድ-ጓሉ ጠሊምዎ፣ ተቐላጢፉ ናብ መስርዕ ኣይተ-ሚካኤል ምሕላፍ ወሰነ። እዚ'ውን ብዓጀባ ተቐበሎ።

ሚካኤል-ስሑል፣ ኣብ ኩሉ'ቲ ካብ ዓወት ናብ ዓወት እናሰገረ ኣብ ደረጃ ራእሲ-ትግራይን/ ኣብቲ ባዕሉ ተጣባቒ-ንግስነት ኢሉ ዝጠቕሶ ሽመትን/ ደረተ ዘይብሉ መዝነትን ዘብጽሖ ወታሃደራዊ-ፍጻሜታት፣ወትሩ ንተኸሉ-ኣባል ምሳኡ እዩ ኣውፊርዎ።

ክንድ'ዚ ዝኣክል ዕቤት ምስ ደለበ ድማ፣ ራእሲ-ሚካኤል፣ ንኩሉም'ቶም ብእምነት ዘገልገልዎ ተኸተልቱ፣ምያኦም ከሓሶም። ንተኸሉ-ኣባል፣ ህርኩት መሳርሕቲ ኰይኑ ስለ እተረኸበ፣ ብርኡይ ንዕቀት ናይቲ ዝጸንሐ መሰል/ ልምዲ/ ባህሊ/ ቅዱስ እንዳዊ-ዝምድና/ ጥሒሱ፣ ግዝኣት ምሉእ ማይ-ጻዕዳ ኣረከቦ። ምእንታኡ ተባሂሉ ድማ ማይ-ጻዕዳ ብምሉኡ፣ ኣብ ሓደ ጉልቲ ተጠርነፈ።

ብዘይካ'ዚ፣ ኣብ መብዛሕትኡ ክፍልታት ሰራየ መዝነቱ ተፈሊጡ፣ ካብ «ግብረ ናይ ንጉስ» ሓደ-ዕስራት(1/10) ንባዕሉ ክሰልዕ ተፈቕደሉ።

እዚ ንዝኾነ ናይ ማዕርነት መንፈስ/ ኣኽብሮት ዘቤታዊ-ልምዲ/ ጥሒሱ እተበጽሐ ዓብላልነት፣ ኣብቲ ስዒቡ ዝመጸ እዋናት፣ ሕማቕ ኣብነት እዩ ኰይኑ። ምኽንያቱ ብግብሪ ከም እተጋህደ፣ ብድሕር ሞት ተኸሉ ኣባል(ዘርእ-ወለዶኡ'ኳ በቲ ገረመድህን እተባህለ ሓደ ውላዱ እንተቐሃመ) *ኣይተ ገረማርያም- ኣይተ ክፍለማርያም* እተባህሉ ክልተ ደቕ-ኣሕዋቱ(ደቕ ገብረልኡል/ ገብረድንግል፣ ሓሓዲኦም) ግዝኣትን-ዕብለላን ናይዚ ተካል ዓዲ ንምርግጋጽ፣ ብጭካነ ንሓድ-ሕዶም ጸመዱ።

እቲ ጽልኢ ዝበኣሰ ድማ፣ ብድሕር-ሞት ክፍለማርያም፣ *ኣይተ-ካሕሱ* እተባህለ ሓው ምስ ተተክአ እዩ።

ኣብ *መጀመርያ* እዋናት ናይ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን፣ *ወልደስላሴ «ራእሲ-ትግራይ»* ብዝብል ሽመት ንዓድዋ ብዝመጸ፣ ኣይተ-ገረማርያም ሓደ-ሽሕ ቅርሺ-ባጤራ ህያብ ሒዙ፣ ኢድ-ክነስእ ተቐላጢፉ ናብኡ ተጓዕዘ። ብልዉጢ ናይዚ ድማ፣ መዝነት ጉልቲ ዓድ-ኳላ ጥራሕ ዘይኮነ(ከም ሓቁ'ኳ፣ ከምቲ ዝጸንሐ ልምዲ፣ ብመሰረት ሕገ-ቦኽር ጨንፈር፣ ንዓኡ እዩ'ውን ዝብጽሖ) ግዝኣት መላእ ማይ-ጻዕዳ እውን ተዋህቦ።

ኣይተ-ካሕሱ እዚ ብሰምዐ፣ ንዓድ-ኳላ እትዩ፣ ንገረማርያም(ተመሊሱ ብምንባሩ) ኣብ ዕዳጋ ማይ-ላፍ ገጠሞ። ብድሕር ሓያል-ኩናት'ውን ሰዓሮ። ኣብቲ ኩናት፣ ብክልቲኡ ወገናት ብዙሓት ወታሃደራት ክሞቱ እንከለው ግና፣ ሓደ'ኳ ካብ ኣባላት ናይቲ ክልተ-እንዳ፣ ኣይተጐድአን። ስዒቡ ግን ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-ጉጅለ (ሕጂ'ውን ኣብ ማእከል ዓዲ) ካልእ ግጥም ተገብረ። ኣብዚ ድኣ ብሓደ ካብ ወታሃደራት ኣይተ-ተሰፋ ወድ-ኣይተ-ገረማርያም እተወርወረት ኩናት፣ ኣብ ኣይተ-ካሕሱ ወዓለት።

ኣብ ዘርኢ ናይ'ዞም ተካላት ኣዝማድ፣ ሽዑን ኣብቲ ዝሰዓበ ጊዜን እንተኾነ፣ ብቀጻሊ ሓደ ነቲ ሓደ ዝመለኸሉ እዋን ኣይዝከርን።

ንሕና(ኢጣልያ) ንሰራየ ኣብ ዝኣተናሉ እዋናት፣ ዘርኢ ናይ'ዞም ክልተ-ወገናት፣ ኣብ ጉልቲ ዓድ-ኳላ ሓቢሮም-ተሓናፊጾምን ንረኽቦም። እዚ ጉልቲ'ዚ፣ ካብቲ ተኸሊት

እተባህለ ናይ ሓባር ርእሰ-ነገዶም ብውርሻ ዝመጾ ከሎ፡ ብእተመሓላለኽን-እተደናገረን ኣገባብ ተመቓቒሉ፡ ክሳብ ሓደ-ዓዲ እውን ንግዝእ-ርእሱ፡ ፍርቁ ንዘርኢ ካሕሱ/ ፍርቁ ድማ ንዘርኢ-ገረማርያም ተባሂሉ ይኸፈል። መብዛሕትእም ዓድታት ድማ፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ይርከቡ።

ጽልእም ንምልዕዓል፡ ዝኾነ ኣጋጣሚ እኹል ምኽንያት ይኸውን። እቲ ብባህሪኡ ኪጋጥም ዝኽእል ናይ ምስሕሓብ ሽግራት ብደስታ ተቐቢልካ፡ ኣብ ነገር ምጽማድ'ሲ ይትረፍ፡ ንሱ ኣብ ዝሰኣኑሉ፡ ብብልሓት/ ውዲት/ ተንኮል/ ባዕሎም ነገር ይኣልሙ።

ጽልእም ብእተፈላለየ መልክዕ፡ ክሳብ መጀመርያ እዋናት 1892 ዓ.ም. ከምኡይሉ ቀጸለ። ኣብዚ ዓመተ-ምህረት'ዚ "ልጅ-በየነ" እተባህለ ካብ ዘርኢ ገረማርያም ንዓና (ኢጣልያ) ከገልግል ዝጸንሐ መራሕ-ባንዳ፡ በቲ በላምበራስ-ተስፋማርያም ካብ ዘርኢ ካሕሱ (ንሱ'ውን ኣባና እዩ ዓስኪሩ ጸኒሑ) እተዋህቦ ክብ ዝበለ መዝነት-ስልጣን ቅንኢ ኣሕዲሩ፡ ካብ መሳርዕና ስሒቡ መረብ ሰገረ። ብተደጋጋሚ ስልኪ ን ነጀው-መረብ፡ ኣንጻር'ቲ ዝጸልኦ ዘመዱ ብዘይዕርፍቲ እናድበየ እዚ ዘይበሃል ክሳራ ኣኸተ-ለልና።

ኣብ ሞንጎ መግዛእታዊ መንግስቲ ኢጣልያን- መራሕቲ ትግራይን ብዝተገብረ ስምምዕ መሰረት ግና፡ "ልጅ-በየነ" ብመራሕቲ ትግራይ ተማረኹ፡ ንሰበ-ስልጣን ኢጣልያ ተረከበ። እቲ ምስሕሓብ ግን በዚ ኣይዓረፈን። ኣሕዋት ልጅ-በየነ ብህይወቶም ክሳብ ዝህልው፡ ንዓና(ኢጣልያ) ድማ ንበላምበራስ-ተስፋማርያም ናይ ምድጋፍ ጥቕሚ ክሳብ ዝህልወና፡ ነገሮም ተሓዲሱ ክለዓል ከም ዝኽእል፡ ክንዝንግዖ ኣይግባእን።

ሕሉፍ ታሪኽ ናይቲ እንዳ/ መሰረት ዘርእ-ወለዶኡን ተመልኪትካ፡ በየነ ኣብ ምም-ሕዳር ጉልቲ ዓድ-ኹላ ዝህልዎ መሰል፡ ዘይከሓድ እዩ። ብቀጥታዊ መስመር-ትውልዲ፡ ንሱ እዩ ሕጋዊ-ወራሲ ኣይተ-ካፍለት ክኸውን ዝግባእ። በላምበራስ-ተስፉ-ማርያም ጥቕሙ ንምሕላው ኣብዚ ናይ ሓባር ወላዲኦም ዝጠልቦ ናይ መቕረባ ዝምድና፡ መሰረት ኣይርከቦን። ምኽንያቱ ድማ ብሰለስተ ናይ ወለዶ-ደረጃ ርሒቑ ስለ ዝርከብ። በዚ ድማ እቲ ውርሻ ብመስመር ቦኽር-ውላድ ዝብል ባህርያዊ ስርዓት ተጋሂሱ ከም ዘሎ ንዕዘብ።

መግዛእታዊ መንግስቲ ኢጣልያ ኸ፡ ብወግዒ ድዩ ንበላምበራስ-ተስፋማርያም ምምሕዳር ጉልቲ ዓድ-ኹላ ኣረኪብዎስ ? ወይሲ ኣብዚ ናይ ውርሻ ኣገባብ ተማሒሉ እተባሕተ ጉልቲ፡ ትም ኢሉ እዩ ነዚ ዋንነት ኣጽዲቕዎ ? ዝኣመሰሉ ሕቶታት ሸለል ኢልካ ምሕላፎም ዘይግባእ እዩ። ከመይሲ ከም ጉዳይ ሓድጉ'ንበሳ ኣብ ድምበዛን/ ካልኦት መራሕቲ ኣብ ካልእ ዞባታትን፡ ኣሉታዊ ኣብነት ከይከውን ንማለት እዩ። ብካልእ መዳይ እውን ከማንዘቦ ከም ዝኽእልኩ፡መራሕቲ ባንዳታትና በቲ ብቐሊሉ ብኣና ክዕደል ዝጸንሐ ወታሃደራዊ-መዝነታት/ ዕጥቂ ብረት/ ዓሳከር ናይ ምኽታብ እተዋህቦም ሓላፍነት/ ተጠቒሞም፡ ፍሉይ ብሕታዊ-ዋንነቶም ክብ ክብሉ እዮም ጸኒሖም። ኣብዚ ሃገር'ዚ ብዘሎ ናይ ቁጠባ ቅልውላው ድማ፡ ርጉጽ ናይ ዓስከር ደሞዝ ምውሓስ ከም ዓቢ ዕድል ስለ ዝግመት፡ ንዓኦም ዝቐርቡ ሰባት ኣኽቲቦም፡ ተኸተልቶም ኣብ ምጥራይ ይርከቡ ምህላዎም እውን ዘይከሓድ እዩ።

እዞም መራሕቲ-ባንዳ፡ ኣብቲ ምጡን መሬት ብሕታዊ-ጉልቶም ንዝርከቡ መተሃ-ላልኾቶም መዋዳድርቶምን፡ ምጽቃጥ-ምዕማጽን ጥራሕ ከይተወሰኑ፡ ንባህሪ ደቀ'ባት ብዘላሊ መንገዲ ሓንሳብ ስልጣኖም ብዘረጋገጹ፡ ብናይ ትዕቢት-ልዕልናን ስምዒታት ተደናጊሮም፡ ንዝምባለታቶም ደረት ስኢኖምሉ ይርከቡ።

ከም ኣብነት እቲ ሎሚ'ኺ ተዋሳእንቲ ሃሊሱ ዝረአ ሓድጉ'ንበሳ እንተወሰድና፡ ግዝኣቱ ንምስፋሕ፡ ብሓደ ወገን፥ ኣብ እሱስ- ሓይለት- ጉምድ- ኪኖኡ ክሳብ እምበረሚ-ገማግም-ባሕርን/ በቲ ሓደ ድማ፡ ባርካ ሓሊፉ ክሳብ ጉንደር እውን ናይ ውርሻ መሰል ይግባእኒ ዝብል ሕልምታቱ ምዝኻኽር፡ ኣኻሊ እዩ።

ምስ በላምበራስ-ተስፋማርያም እውን ብተመሳሳሊ፡ ከምኡ እዩ ዘጋጥም ዘሎ። ኣብቲ ብትውልዲ እውን እንተኾነ ናይ ስልጣን-መሰል ዘይግብኦ ጉልቲ ዓድ-ኹላ ድሮ ኣጣጢሑስ፡ ምሉእ ሰራዩ ከመልኽ ዘለዎ ሕልሚ ኣብ ምትግባር ሓሊፉ ይርከብ።

ንሱ ከም ዝኣምኖ፡ ኣብቲ ድሮ እተጠቕሰ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ንቲ ተኸሉ ኣባል እተባህለ ኣባሓጎኡ ዘልበሶ ናይ ስልጣን መዝነት እዩ ዘመርከሶ መጉቱ። ዘንጊዕዎ ወይ ክዝንጋዕ ዝደለዮ ነገር ግን፡ ዝስዕብ ርትዕታት እዩ፥

1)- ራእሲ ሚካኤል ስሑል ኮነ/ ተኸሉ ኣባል፡ ንባዕሎም ካብ መሰል- ሕግን ዝረሓቑ ሰባት እዮም ዝነበሩ።

2)- ዘርኢ ተኸሉ ኣባል ብዝቕሃመ፡ እቲ ውርሻ፡ ብሕጋዊ-መንገዲ ናብ ኣይተ-ገረማርያም ማለት ናብቲ ወድ-ቦኸሪ ሓው ንተኸሉ ኣባል(ማለት ወድ-ገብረልኡል)እዩ ተመሓላሊፉ። እዚ'ውን፡ብራእሲ-ወልደስላሴ እተፈ-ልጠን-ዝጸደቐን መዝነት እዩ ዝነበረ። ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ግና፡ ሕጋውነት ራእሲ-ወልደስላሴ ንባዕሉ፡ ማዕረ'ቲ ናይ ራእሲ-ሚካኤል እዩ ክስራዕ። ክልቲኦም "ተገብአ" ስለ ዘየማልኡ።

3)- ካሕሱ፡ መራሒ ናይቲ ተስፉ-ማርያም ዝውለደሉ ዋና-ጨንፈር፡ ከም መዋዳድርቲ ኣይተ-ገረማርያም ኣንጻርቶም ሕጋውያን ወረስቲ፡ ብረት ሒዙ ምስ ተላዕለ እዩ ተሳዒሩ ኣብ ኩናት ተቐቲሉ።

4)- ብዝኾነ ድማ፡ሓጺር ናይ ረጽሚ እዋናት፡ ሕጋዊ-መሰል ዝቕንጥጥ/ ዘረጋግጽ ረቛሒ ክኸውን ኣይግባእን። እንተዝከኣል እውን፡ ንቲ ብመሰልን-ግብርን ንመደያይቦ ተኸሉ ኣባል ናብ ስርዓቱ ዝመለሰ ቦኸር-ጨንፈር ናይቲ እንዳ ምተመልከተ ግዲ።

ተስፉ-ማርያም ዘለዎ ናይ ምስፍሕፋሕ ዝምባለ፡ ኣብ ዋንነት ሰራየ ኣይከኑን ጥራሕ ዝገርፍ። ናብቲ ካብ ክፍለ-ዘመናት እትሒዙ፡ፍሉይ-ኣካል ኮይኑ ዝጸንሐ «ቀሓይን» እውን ይጥምት እዩ።

ኣብ ቀሓይን ድሮ ሓይልን-ጽልዋን ኣሕዲሩ ድማ፡ ን «ደቃ-ተስፉ» እዩ ዕላማኡ።

መንግስትና(ኢጣልያ)፡ ንፖሊቲካዊ-ምኽንያታት እንተድኣ ኮይኑ ንሃንቀውታ በላ. ተስፉማርያም ትም ኢሉ ተቐቢልዎ ዘሎ፡ ዘይግባእ እዩ። እቲ ዝፍቀድ ወይ ዝኽኣል ዝኾነ ዓይነት መዝነት፡ ህዝቢ ዝፈልጦን- ወግዓዊ ሽመትን ክኸውን እዩ'ቲ ስርዓት።

ንበየነ/ ተስፉማርያምን/ ተማእዛዝን- ኣዛዝን ዝቢርካ ክተናብርም፡ብቲ ኣብ ዋንነኦም ዝፈሰሰ ደም ይኹን- ብሓቂ ወይ ብትምኒት ብዘቕርብዎ ተገብአ- ካብ ኣባሓጎታቶም ዝወረስዎ ሓያል ናይ ዕብለላ ሃንቀውታ- ፈጺሙ ዘይሕሰብ እዩ። ኮይኑ ተሪፉስ ክፍተን ዝምተኻእለ፡ ን በየነ ሲቪላዊ-ምምሕዳር ናይቲ ጉልቲ/ ን በላምበራስ ተስፉ-ማርያም ድማ፡ብእና ዝመሓደር ፍሉይ ወታሃደራዊ-ኣዛዚ ገይርካ፡ መዝነታቶም ምፍላይ እዩ'ቲ ውጽኢት ክህልዎ ዝኽእል ሓለዋ-ሚዛን። እንተድኣ ዘይኮይኑ፡ ኣብነታት በዓል ራእሲ ሚካኤል- ወልደስላሴ- እስቢጎዲስ- ውቤ- ተድሮስ- ዮሃንስ- ገና ኣብ ኣእምሮ ናይቶም ህዝብታት ከም እሉታዊ ተመኩሮ ስለ ዘይተረስዐ፡ ፖሊቲካውን-ወታሃደራውን መዝነታት ኣብ ውልቀ-ሰብ ምጥቕላል፡ ኣብዚ ይኹን ኣብ ካልእ ቦታ፡ ጠንቂ ዘኸትል ምርጫ ክይኮነ ኣይተርፍን።

ንመጻኢ ቀጻሊ ናዕብታት ክይለዓሉ'ሞ፡ ንዓኦም ምህዳእ ድማ ኣብ ጉጉይ ናይ ሓይሊ ኣፈታትሓ ክይነድህብ፡ ብውሽጥን-ደገን እንኸትሎ ክሳራ ተረዲእና፡ እቲ ብመሰረት ደም-መበቐል...ካብ ክፍለ-ዘመናት ዝጸንሐ ኣገባብ ኣዋድቓ-መሬት ምዕቃብ'ዩ ዝሓሸ ፍታሕ።

ንሕና ኣይግባእን ዝበልናዮ ዋላ'ውን ሕጋዊ-ወራሲ፡ ካብ መዝነቱ ተሳሒቡ ኣብ ክንዳኡ ንዓና ዝመስል ኣመሓዳሪ ምምራጽ፡ ዝከኣል እዩ። እቲ ንዓኡ ዝትክእ ግና፡ካብ እንዳኡ ክኸውን ይሕተት። ዝኾነ መራሒ ወግዓዊ-ሓላፍነት ተዋሂብዎ/እቲ ዘመሓድሮ መሬት እውን ክንጸር ይግባእ። ብልዕል-ኩሉ ድማ፡ ፖሊቲካዊ-ስልጣን ንዘመሓድሩ መራሕቲ፡ ብረት ዘይምፍቃድ እዩ'ቲ ዋና-ነገሩ።

ብረት፡ ብእና ተመሓዲሩ ብእኡ ክብ ክብል ንዝደለየ መራሒ ምእጋድን ንዝመረጽናዮ በዓል ስልጣን ሓለዋ ክንገብረሉን- ንቶም ግዝኣትና ኣሚን ኢሎም እተቐበሉ ህዝብታት ድማ፡ሰላም/ ቅሳነት/ ጸጥታ/ ንምውሓስ እንጥቀመሉ መሳርሒ ድኣ ክኸውን ይግባእ።

እዚ ድማ፣ ምስቲ ናይ ዕስክርና መደብ ኣይጻረርን። ብኣንጻሩ ድኣ፣ ዝኾነ ሰፊሕ-መሬት ዘመሓድር ፖሊቲካዊ-መራሒ፣ ዝኣክል ብረት ምስ ሰነቐ ካባና ዝህልዎ ረብሓ ስለ ዘብቅዕ፣ ኣንጻርና'ውን ከይለዓል ዝዓግት፣ ናይ ቊጽጽር መሳርያ እዩ ዝኸውን።

ህዝቢ-ሰራዊ ብርግጽ ተኸታሊና እዩ። ኣብዚ ዋሕድ-ህዝቢ ዘዋቅዖ ወረዳ ግን፣ብ ክኔው መረብ፣ ማእለያ ዘይብሎም ሰደተይና ስለ ዝውሕዝዎን- እቶም ናይ ዞባ ኣመሓደርቲ ድማ፣ ዝሕረስ-መሬት ስለ ዝፈቕዱሎምን- እቲ ክብ እናበለ ዝመጽእ መዝነታቶም፣ ኣብ መጻኢ፣ ኣንጻርና እውን ከየቕንዕ፣ ሓለዋ ዝግባእ እዩ[2]።

ኣሕዋት ዝኾኑ በላምበራስ ተስፋማርያም/ ፊትወራሪ ተስፋሚካኤል፣ ብኣንጻር ናይቲ ካብ እባሓጎታቶም ዝወረስዎ ሕማቕ-ዝኽረ፣ ክሳብ ዕለት ሎሚ ብሰኒት እዮም ነቢሮም።

ተስፋንኪኤል ግን፣ ኣብ ቅድም ህዝቢ ይኹን ብግሊ፣ ንሓው፣ ብማዕረነት ዘይኮነ ኣብ ሞንጎ ጕይታን- ተማእዛዝን ብዘሎ ዝምድና ይቐርቦ። ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ግና ንኣብነት፣ ኣብ ሞንጎ ኣዝማቲ-ሰንጋል/ ደጊያት ባህታ-ሓጎስን ዘሎ ምክብባር፣ ኣብ ናይ ሓቂ ሕውነት ዘድሃበ ዝምድና ምዃኑ ጕሊሑ ይረኣ።

እቲ ኣብ ሞንጎ እንዳታት ሹም-ጉልቲ ሰራየ ወትሩ ዝነገሰ ምስሕሓብ-ያዕያዕን፣ ካብቲ ዝዓበየ ክሳብ'ቲ ዝንኣሰ ጉልቲ እዩ ክዝውተር ጸኒሑ። ስለዚ፣ ካብቲ ኣብ ካልኣት ኣውራጃ ግዝኣትና እንጥቀመሉ ኣገባብ-ሜላን፣ ኣብዚ ወረዳ'ዚ ብፍልይ ዝበለ ጥንቃቐ-ትርን፣ መዝነት ወይ ስልጣን ዝበሃሉ ትካላት ቅኑዕ ትርጉሞም ክነልብሶም ይግባእ።

ዝተረፈ ዘርአ-ወለዶ ናይዚ ነገድ'ዚ፣ ደም ብዝሓለፎ ጽልኢ- ዝኽረታትን፣ ሓድሕዱ ተቐራሒኑ እዩ። ብሕልፊ ድማ መዕረቒ ዘይተረኸቦ ጽልኢ፣ እቲ ኣብ ሞንጎ በላምበራስ ተስፋ-ማርያም/ ልጅ-ይግዛው/ ልጅ-ወንደፍራሽ/ እተባህሉ ሕጋውያን ወረስቲ-ጉልታት ኩዶፈላሲ(ልጅ-ይግዛው)- ዓዲ ሞንጎንጎቲ(ልጅ-ወንደፍራሽ) ዘሎ እዩ ዘይተዳነየ።

ከምቲ ድሮ እተጠቕስን/ ካብ እትስዕብ ጸዋሪት ሰሊዓ ዘርኢ-ወለዶኦም/ ክንርዳእ ከም እንኽእልን፣ እዞም እንዳታት እዚኦም፣ ሓደ-ጨንፈር እዩ ፈራዶኦም።

ኣንጻር ካብ ደገ መጺኡ ዝበሃል ጸላኢ ኣብ ዝምክትሉ እዋን ግን፣ እዚ ናይ ውሽጢ-ግርጭት ይዳንዮዎ እዮም።

ንኣብነት ምሉእ ሰራየ፣ ካብቲ ምስ ትግራይ ዘሎ ጽልኢ ለጠቕ ብዝበለ ደረጃ ድኣ ይኹን'ምበር፣ ምስ ኣከለ-ጉዛይ ኣይሳነን እዩ። ኣብ ህልዊ እዋን ድማ፣ ምስ ሓማሴን ዘሎ ርክቡ እውን፣ ዝንኣድ ኣይኮነን።

****

ኣብቲ ብድሕር-ጸብጻብ ዘርአ-ትውልዲ ቀሪቡ ዘሎ ሰሌዳ ተጠቒሶም ዝርከቡ ኣስማት፣ ኑቶም ኣብ ህልዊ-እዋን ኣብ እተፈላለዩ ጉልታት-ሰራየ ናይ " ምምሕዳር-መሰል " ይግባኣና ዝብሉ ሰባት ይምልከት።

ልጅ-በየነ በዓል ዓዲ-ኳላ/ ልጅ-ይግዛው በዓል ጉልቲ ኩዶፈላሲ/ ልጅ-ወንደፍራሽ በዓል ዓዲ-ሞንጎንጎቲ/ ዘለዎም መሰል፣ ጸላእቶም ከም ዝብልዎ፣ እተቐንጠጠ መሰል እዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዘቕርብዎ ማግለጺ ድማ፣ ከምዚ ዝስዕብ የቕርብዎ፥

2- ካልእ ብዝቐለለ ኣገባብ፣ ኣብ ሓደ-እዋን ጥቕምናን/ ሰላም ኣብቲ ዞባን፣ ከውሕስና ዝኽእል መንገዲ፣ ንዞብኣውያን-መራሕቲ ዝወሃብ ብረት፣ ብዘውሓደ ምስ ቊጽሪ ናይቶም ዓበይቲ ይኹኑ ንኡሳን-ጉልቲ ዘመሓድሩ ሹም፣ ምድልዳል ከም ዝግባእ እዩ።
ንኣብነት ሰራየ፣ እተፈላለየ ስፍሓት ዘለዎም 19 ጉልቲ ዝቖመ እዩ። ንንፍስ-ወከፍ ጉልቲ 25 ጠበንጃ እንተዝፍቀዶ፣ ኣብዚ ወረዳ'ዚ ብቐሊሉ ክንገመት ከም ዝከኣል- እድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን- ኣብ ምዓላ ክውዕሉ ዝኽእሉ 475 ጠበናጁ ምተሰለፉ ማለት እዩ። ቊጽር'ዚ ብረት'ዚ ድማ ምጡን ብምዃኑ፣ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝርከቡ መራሕቲ-ዞባ ንሓድሕዶም ክታኾሱሎም እዮም ኢልካ ዝፍራሕ ኣይከውንን። ርዱእ ከም ዝኾነ ድማ፣ ነዞም ሓደ ዞባ " ብሉቕ " ብሓባር፣ ኣብ ትሕቲ ናይ ኢጣልያ መኰንናት ከም ዝቕየዱ ምግባር ይግባእ። ብዝኾነ ግና፣ እቲ ዓበይቲ ጭፍራታት- ብዓበይቲ ናይ ዞባ-መራሕቲ ዝእዘዙ ኣገባብ፣ ጊዚኡ ኣብቂዑ እዩ።

ንጉስ-ዮሃንስ ን «ጸዓቲ» ኣብ ዘምርሓሉ እዋናት፣ ብሰራየ እዩ ሓሊፉ። ብዘይካ ኑቲ ኣኹቲትዎ ዝመጸ ግዙፍ-ሰራዊት ዝኸውን ስንቂ ድማ፣ ሰፍ-ዘይብል " ፈሰስ " ኮነ/ ሓያል ግብረ-ንጉስ እውን ኣስገዲድዎ እዩ ሓሊፉ።

እቶም እተጠቕሱ ሰለስተ ሹም-ጉልቲ፣ ድልየታት ናይቲ ሃጸይ ከማልኡ ዝኣኽሎም'ኳ እንተጽዓሩ፣ ከም ዝግባእ ኣየማልእዎን። ስለ'ዚ በቲ ንጉስ ካብ ዝነበሮም መዝነት ተቐንጢጦም ይብሃል።

እዚ ጉዳይ'ዚ፣ ብዝግባእ ምርግጋጽ ዘድልዮ እዩ። ምኽንያቱ ድማ፣ ኣንባቢ ክርዳእ ከም ዝኽእል፣ እተጠቕሱ ሹም-ጉልቲ፣ እኹል ፈሰስ ኮነ/ ብንጉስ እተወሰነ ግብረ ካብ ከፊሉ ድኣ፣ ካብዚ ድሮ ክምዝመዝ ዝጀንሐ ወረዳ፣ እንታይ እዩ ዝሕተት ዝነበረ ?

ብዘይካ'ዚ ድማ፣ ኑቲ ተቐንጢጦም ዝብል ምኽንያት፣ ተቐባሊ ዘይገብሮ ምጉት፣ ብድሕሪኡም፣ ንዓኦም ዝትክኡ ካልኦት ሰብ-ሓላፍነት ዘይምምራጾም እዩ።

ብዝኾነ ኸ? እቲ ብንጉስ ተፈጺሙ ዝበሃል ዘሎ ምቕንጣጥ ናይ ዝነበሩ ሹም-ጉልቲ፣ ንዓና (ንኢጣልያ) ከመይ ዝበለ ረብሓ ወይ ጉድኣት እዩ ከኸትለልና ?

****

ዘረአ-ወለዶ ሹም-ጉልታት ሰራየ

ተመልከት፥ እቲ ባህሊ ብዛዕባ'ቶም ቅድሚ አችለ፡ ነበርም ዝብልዎም ሰባት ንጹር ሓበሬታ ስለ ዘይረኸብኩ፡ ምጥቃሶም አየድልን። እዚ ካብ አችለ አትሒዙ፡ ኩሉ'ቶም ክልተ ተጻረርቲ ዝኾኑ ልጅ በየነ-በላምበራስ ተሰፋ-ማርያምን ቀረብ ዘሎ ፍቕዲ-ወለዶ፡ ተሰፋ-ማርያም ብሰለስተ-ወለዶ ቅድሚ ልጅ በየነ ነቲ ርእሰ-ነገዶም ከም ዝቐርቦ፡ ብሓጺሩ ን-ምብራህ እዩ። እቲ ተሰፋ-ማርያም ብምድማ-ጋም ዘቐርቦ ናይ "ይግባእኒ"ምጉት፡ ሕጋ-ውያን ወረስቲ ብመስመር ቦኹር-ውላድ ኩሉ ዝወልው፡ ዝኾኑ ዓይነት ርትዒ ክህልዎ አይክ-እልን።

1ይ-አችለ፡ ከም ዝመስሉ ብ 1300 አቢሉ እዩ በቢሩ።

2ይ-አድከመ

3ይ-ሳላ ጽዮን

4ይ-ርሑስ ቢለን-ሰገድ

5ይ-ክርስቶስ-ማአ.

6ይ-ቢለን-ሰገድ፡ ብዘመነ ሃጸይ ዘርአ-ያቆብ 1434-1468 ዓ.ም. እዩ ነቢሩ። መራጉዝ አብቲ እዋን'ቲ፡ ናይ ባዕሉ ጉልቲ ፈልዩ እዩ ዝነበረ።

7ይ-አሮን

ቶ አንበሳ፡ ምስ አሮን ሓው ውርሻ አቦኡ ተመቒሉ። ንአሮን ማይ-ጻዕዳ/ ቶ አንበሳ፡ ተኸላ/ እዩ ብጽሒቶም። አብቲ ፋሉላዊ እዋናት ተኸላ እውን፡ ኣብ እተፈላለዩ ጉልታት-ተኸፍሉ። መራሕቲ ናይዞም ጉልታት፡ ዘርኢ ቶ አንበሳ እዮም። ልጅ-ይግዛው በዓል ኩዶ-ፈላሲ/ ልጅ-ወንደፍራሽ በዓል ዓድ ሞን-ጎንቲ፡ ዘርኢ ቶ አንበሳ ምዃኖም ይፍለጥ

ሓቢብ፡ ክፋል መሬት አቦኡ ብዝሓዘ እግሪ-ምኸኣል እተባህለ ጉልቲ ተዋህቦ ሻኒት፡ ዘርኡ ህልዋት እዮም። (1ይ ምምችቻል ማይ.ጻዕዳ)

8ይ-ዮሃንስ ፋሩስ ብዘመነ-ግራኝ 1528-1543 ዓ.ም.እዩ ሞይቱ።

9ይ-ስብሓት ለ-አብ

ስምረት ለ-አብ፡ መሬት አስገር-ዓድ ባሕሪ-ጋቢእን- ንጉልቲ ተዋህቦ። (2ይ ምምችቻል ማይ-ጻዕዳ)

10ይ-ዮሃንስ

አዝማቲ ዮሃንስ ካብ እተጠቕሰ መሬት እዩ «እንዳ'ዝማች ዮሃንስ» ብዝብል ናይ ሓባር መጸዋዕታ እቲ ጉልቲ ተሰሊፉ። አብ ዝሰዓበ እዋናት፡ እዚ እተጠቕሰ መሬታት እንደገና አብ ሰለስተ-ጉልቲ ተኸፍሉ። ሻኒት አብ ምምሕዳር ናይዞም ጉልታት፡ ዘርኢ ናይዚ እንዳ ይርከቡ

11ይ-ናዕል አንል

አውዓሎም፡ ጉልቲ ዓድ-ልገስ እዩ ብጽሒቱ። ዘርኡ፡ ህልዋት እዮም። (3ይ ምምችቻል ማይ-ጻዕዳ)

12-ተኸሊት

አዝማቲ ዑቕቢት፡ ምምስራት ጉልቲ «እንዳ'ዝማች ዑቕቢት»። ዘርኡ ህልዋት እዮም። (4ይ ምምችቻል ማይ-ጻዕዳ)

ምምችቻል ማይ-ጻዕዳ አብ-ቂዑ ንጓኡ እቲ ዝተረፈ ጉልቲ ዓድ-ኺላ ብፍላይ እዩ ብጽሒቱ።

13-አይተ ክፍለት፡ ብዘመነ ራእሲ-ሚካኤል (1753) እዩ ነቢሩ። ምስ ሓንቲ ጓል ደጊያት-ዓምደሃይማኖት በ-ጸንዘጋ ተዋሲቡ፡ አርባዕተ-ደቂ ወለደ፥

14 ገብረልኡል

15 ገብረእምላኽ

16 አይተ ገረማርያም

17 እማሃ

አይተ ተስፋ፡ አይወለደን።

18 አይተ ገረእምላኽ

19 ልጅ ብሩ

14 ገብረድንግል

አይተ ክፍለማርያም ዘርኡ፡- ሻኒት ህልዋት እዮም

15 አይተ ኳሕሱ

16 አይተ ፍስሃየ ምስ 6 ኣሕዋቱ። ካብ ፍስሃየ ዝውለዱ

17 በላም. ተስፋማርያም

ፊት.ተስፋንኪኤል፡ ልጅ ገረጻዲቕ-ልጅ ሃይሉ-ልጅ ካሕሳይ እተባህሉ ሰለስተ ኣሕዋቶም ግን፡ ዝሞቱ እዮም

እስራት

ሽዶፉ

ጋሎ-ቢያድጎ

ህልዊ ጭቃ ዓድ-ገና በዚ መስመር'ዚ ይውለድ።

ተክሉ አባል

ገብረመድህን ብእተባህለ ውላዱ፡ ዘርኡ አብቲኡ።

20 ልጅ በየነ

አብ ባጽዕ ተኣሲሩ ይርከብ።

ልጅ ገሰሶ፡ አብ ትግራይ ይነብር። ተኸታሊ ራእሲ-አሉላ እዩ ዝነበረ።

አብ ትግራይ ዝነብሩ ካልኦት ክልተ-ኣሕዋት እውን ይርከብዎም። ሓዲኦም፡ መንእሰይ እዩ። እዚኦም ግን፡ ብሕልፊ ብተኸተልቲ በላም/ስ ተስፋማር-ያም ከም ናይ እውነት ደቅ-ብሩ አይፍለጡን።

ፍቕዲ መራሕቲ ደቀ'ባት ሰራየ

ዘመሓድርዎ መሬት	ኣስማት	መናበሪ ቦታ
ኩዶፈላሲ............	ልጅ ይግዛው ወድ ኣይተ-ዮሃንስ	ዓድ-ወግሪ
ዓድ-ሞንጎንቲ........	ልጅ ወንደፍራሽ ወድ ልጅ-በራኺ	ኣስመራ
ዖና-መናዕ'ላ........	ኣይተ-መርእድ ወድ ኣይተ-ጨርሰናስ	ዓድ-ሸለኾ
ደቃ-ቅንጹብ.........	ሰሎሞን ወድ ኣይተ-ሀስቅያስ	ዳምባ ምንጭ
ዓድ-ኣድከመ.........	1-መንግስቱ ወድ ልጅ-ተሰማ	ዓስከር 4ይ-ቦጦሎኒ
	2-ካፍላይ ወድ-ኣይተ ተማኙ	ዓድ-ጕዳእቲ
	3-ኣይተ ፍሳሃየ ወድ ኣይተ-ተስፋይ	ክሳድ-ዳዕሮ
	4-ኣልመዶም ወድ ኣይተ ገ/ማርያም	ክሳድ-ዳዕሮ
ገብረ መራዲት.......	ልጅ ዑቕባንኪኤል ወድ ዑቕባጊዮርጊስ	ድርቆ
ያቆብ...............	1-ስባሁቱ ወድ ኣይተ-ወለ'ላሰ	ኣስመራ
	2-ኣስፍሃ ወድ ኣይተ-ፍሳሃየ	እግር-ምኸኣል
ኣክሉም.............	1-ጉርጃ ወድ ኣይተ-ገረንኪኤል	ዓድ-ሸለሙን
	2-ልጅ ወለንኪኤል ወድ-ገረኣምላኽ	ዓድ ሓይሽ
እንዳ'ዝማች ዑቕቢት.	ወለ'ላሰ ወድ-ኣጅና	ዓድ ኺላ
ዓድ-ኺላ............	1-በላም.ተ/ማርያም ወድ ኣይተ-ፍሳሃየ	ዓድ ኺላ
	2-ልጅ በየነ ወድ ልጅ ብሩ	ኣብ ማሕዩር ዘሎ
ዓድ ባሕሮ...........	ምሒል ወድ ኣይተ ትርፊ	ዓድ ኺላ
ጋቢእን..............	ልጅ ተድላ ወድ ኣይተ ተማኙ	ኣብ ማሕዩር ዘሎ
እግር-ምኸኣል........	በይን ወድ ኣይተ ዘወልደ-መድህን	እግር-ምኸኣል
ኣሱጓር..............	ልጅ መንግስቱ ወድ ባሕረጋሲ ሓጐስ	ኩዶፈላሲ
ደርዓንቶ............	ኣብርሃ ወድ ኣይተ ገረመድህን	ከረን
ዳምባ ወይ እንዳ ሰላሲ	1-ገብረ-ማሲ ወድ በሳቕ	ዓድ ኺላ
	2-እልፊ ወድ ኣይተ እርኣያ	ዳምባ
ዓድልገስ	1-ዘወልደ-መድህን ወድ ኣይተ ምርሳዕ	ዓድ-ሸለኾ
	2-ኣይተ ስባሁቱ ወድ ኣይተ ሸለንድስ	ዓድ ኺላ
ደቃ-ቦኸሪ	ኣይተ ዘድንግል ወድ ኣይተ ዘርኣይ	ዓድ በግዖ

ተመልከቱ ልጅ ዝብል ናይ ኣምሓርኛ ቃል፥ ንቲ ብቋንቋ-እስጳኛ «ሂዳልጎ»(ወድ-እንዳ) ይመሳሰሎ እዩ። እዚ ኣብ እስጳኛ ዝዝውተር ቃል ግና ኣብ ህልዊ እዋናት፥ ንቲ ብቋንቋ-ጣልያን «ልኡል» ዝብል ማሕበራዊ-ደረጃ ብፍላይ ሀጽር ትርጉም'ኳ እንተሳበሰ፡ ኣብ ዓድ-ሓበሻ፥ ንእባላት ሓደ-ፍሉይ እንዳ ወይ ልኡል-መዝኑት ንዘለዎም ውልቀ-ሰብ ዝሕብር መጸዋዕታ እዩ። ወልድ- ወይ ኢሕጺርካ ወድ ማለት እውን፥ ውላድ ማለት እዩ። እዚ ግና ባህርያዊ ትውልዲ-ዚጋ ድእ'ምበር፥ ዓይነት ማሕበራዊ-ደረጃ ኣይፈልን።ኣብ ዓድ-ሓበሻ ንሓደ ስድራ-ቤት ብፍላይ ዝሕብር መጸዋዕታ-ስም (Sur-Name=Cognome) ስለ ዘይዝውተር፥ እቲ ግላዊ-ስም፥ ወልደ ወይ ወድ-እንዳ ብዝብል ስም ኣቦ እዩ ዝዖዳ ዝንጸር።

VI. ደቃ-ተስፋ

መኰንናዊ «እንዳ-ዓረዛ»፡ እንዳ በላምበራስ ክፍለየሱስ/ ቀኝ-ኣዝማቲ ካፈይ

ብዛዕባ ኣብ መረብ/ምላሽ እተኻየዱ ፍጻሜታት እኹል ኣፍልጦ ንዘይብሉ ሰብ፡ እቲ እተመሓላለኸ ውዲተ-ማሕለኻታት ኰነ/ በብወኹ ዝቐርብ "ይግባኣኒ" ዝብል ሞጕትን ምርዳእ፡ ኣሸጋሪ እዩ።

«እንዳ-ዓረዛ» ወይ'ውን እዚ ብስም መስራቲኡ ከም «እንዳ ኣይተ ገረመስቀል» ዝፍላጥ እንዳ(ቀኝ-ኣዝማቲ ካፈይ እውን ካብዚ እንዳ'ዚ እዩ ዝውለድ)፡ ሓደ ካብቶም ስፍሕ ዝበለ ናይ ዕቤት ትምኒታት ዘለዎ እንዳ እዩ። እኒ(ደራሲ) ከም ዝኣምኖ ግና፡ ኣብ ሕሉፍ ይኹን ኣብ ህልዊ-እዋን፡ እቲ በዚ እንዳ'ዚ ዝቐርብ "ተገብአ"፡ ዝበቅዕ መሰረት ዘይብሉ እዩ።

ዘርኢ-ወለዶኦም ኣድቲቕና ቅድሚ ምግላጽ፡ ብዛዕባ'ቲ ካብ መጀመርያ ናይ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን ንነጀው፡ ኣብ ወረዳ ደቃ-ተስፋ እተኻየዱ ፍጻሜታት ምግላጽ፡ ኣድላይ ክኸውን እዩ። ካብዚ እዩ እቲ «እንዳ-ዓረዛ» ዘቕርቦ ጠለባት፡ ነጺሩ ክረአ ዝኽእልን ከምኡ'ውን እንዳ- በላምበራስ ክፍለየሱስ ከመይ'ሉ ኣብ ሓደ እዋን፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል ዕቤት ደሊቡ፡ ኪኖ'ቲ እተወልደሉ ወረዳ እውን ምንቅስቓሳቱ ክስፍሕ ከም ዝኽኣለን- ነጺሩ ክዘርሃልና ዝኽእል።

***

ብቕድሚ ኣዝማቲ-ፎቅረስ በዓል-ዶብነ(ዛይዳ'ከሎም)፡ ነፍስ-ወከፍ ጉልቲ ደቃ-ተስፋ ካብቶም ካልኦት ሓራ ዝኾነ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሹም እዩ ዝነበሮ። ምኽንያቱ ድማ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም፡ ኩሎም ብ "ባሕረ-ነጋሲ" ቀጺሎም ድማ፡ ብ እንዳ-መኳንንቲ ጸዓዘጋ እዮም ክመሓደሩ ጸኒሖም።

ፋሉልነት ኣርኪቡ ግን፡ ንዝጸንሐ ጥንታዊ ኣገባብ-ልምድን ምስ ገማጠሎ፡ እቶም እተበላሓቱን/ ዝጕርሑን/ ሰብኣዊ-ሕልና እውን ዘጥፍኡ ሰባት/፡ ነቲ ዕድል'ቲ ምምዝማዝ ተጓየዩ።

ከምዚ'ሉ፡ ራእሲ-ወልደስላሴ(1790-1816 ዓ.ም.) ንምምሕዳር ክንቲባይ-ዘርኣይ መራሒ እንዳ-ጸዓዘጋ፡ ኣብ ሓማሴን ጥራሕ ምስ ወሰኖ፡ *ሰራየ-ቆሓይን* ነቲ ትኽታሊኡ ዝነበረ ብደቀ'ባት ግን ከም ባዕዳዊ ዝረአ ኣይተ "ሰሎሞን-ቆርሜ" ኣረኪቡ[3]፡ ምምሕዳር ደቃ-ተስፋ ከኣ፡ ነቲ ንሱ'ውን ማእራሪ-ወታሃደር ዝኾነ ድሮ ዝጠቕሰናዮ "ኣዝማቲ-ፎቅርየስ"፡ እዩ ፈቒድሉ። ኣዝማቲ-ፎቅረስ ግን፡ ብውሕዱ ወደ'ባት፡ ካብዚ ሓሊፉ ድማ፡ መሓዛ-ዓርኪ ክንቲባ-ዘርኣይ እዩ ዝነበረ። ከም ዝበሃሎ፡ ፎቅረስ 44 ዓመት ዝኣክል ምስ ገዝአ፡ ኣብ ሞቱ ወራሲ ኢሉ *ኣዝማቲ-ማሙ* ንእተባህለ ውላዱ እዩ ኣውረሰዎ።

ምስ ፎቅረስ ዓስኪሩ ዝጸንሐ *ኣይተ-ገረመስቀል* እተባህለ በዓል-ዓረዛ ግና፡ ነዚ ሓድሽ ጕይታኡ(*ማሙ*) ምምእዛዝ ኣበየ'ሞ፡ ምስሕሓቦም ኣብ ብረት ተባጽሐ። ማሙ ተሳዒሩ ኣብ «ሽረ» እዩ ተዓቍቡ። ኣብ ሽረ፡ ምስ "ኣይተ-ዘለላ" እተዋሰበት ጓል እውን ነይራቶ እያ። ኣይተ-ገረመስቀል ዓቢ-ሓይሊ ደሊቡ ንደቃ-ተስፋ ጥራሕ ዘይኰነ ንደቃ-ማኢ(ሰራየ) እውን መለኸ።

ደቃ-ምልጋእ ወይ ቆሓይን ግን፡ ሓያል ተቓውሞ ኣቕሪቡ ኣይተመልከሉን።

---

[3]- ኣይተ-ሰሎሞን ቆርሜ፡ዓድ-ጓዕዳድ ኣብ እተባህለ ዓዲ ኣብ ቆሓይን እዩ መናበሪኡ ዝነበረ።

ስለ'ዚ እቲ ንመላእ «ደቃ-ወረሰናዝጊ» ኣብ ትሕተኡ ንምግዛእ ዝነበሮ መደብ፡ ከምኡይሉ ተባኺሩ።

ኣይተ ገረመስቀል፡ 6-7 ዓመት ዝኸውን ኣብ ስልጣን ጸኒሑ ብዝሞተ፡ ገረጻዲቕ እተባህለ ውላዱ እዩ ወሪሲኡ።

ሰለስተ ዓመት ብድሕር'ዚ፡ ኣይተ-ለልሽ እተባህለ ዘመድ ፎቅሬስ(ኣባሓጎ ለልሽ፡ ዘመድ ፎቅሬስ እዩ ዝነበረ)፡ 600 ቅርሺ-ባጠራ ከም ግብረ-መሬት «ትኹል» ናይ እተባህለ ዓዲ(ጉልቱ) ከረክብ ንማለት፡ ከዳውንቱን-ኣዋድቓ ጸጉሩን- ጓል ኣንስተይቲ መሲሉ፡ ኣብ ዓረዛ ኣብ ቅድም-ገረጻዲቕ ቀረበ። እዚ ድማ፡ ስለምንታይ ከምኡይሉ ከም ዝቐረበ ብዝሓተቶ፡ ለልሽ፥ «ብዘመኑ፡ ኣቦኻ እዩ ንኣባሓጎይ ዘገልግልን-ዝግብርን ነይሩ፡ ደጊም ኣነ ንዓኻ ግብሪ ካብ ከፈልኩ፡ ሰበይቲ ምዃነይ ኣመስከርኩ» ቢሉ መለሰሉ። ገረጻዲቕ በዚ ተባዕ መልሲ ተቖጢዑ፡ ብጸርፊ ካብቲ ኣዳራሽ ኣውጽእ'ሞ፡ ለልሽ ናብ መናበሪኡ ን ዓድ-ቆሖ ተመልሰ። ኣብዚ ብዝበጽሐ ድማ፡ ንኩሉም'ቶም ግባር ኣኪቡ፡ ዝኾነ ዓይነት ግብሪ ንገረጻዲቕ ከይከፍሉ ኣጠንቀቐ።

ገረጻዲቕ እዚ ሰሚዑ፡ ብዙሕ ህዝቢ -መብዛሕትኡ ካብ ማይ ጻዕዳ/ መራጉዝ/ ካብ ዝተረፈ ወገናት ስራየ- ኣኪቡ፡ ኣንጻር ለልሽ ተላዕለ።

ለልሽ፡ «ደርሆ-ቆንጸይ» ኣብ እተባህለ በረኸ-እምባ ተዓቚበ። ገረጻዲቕ፡ኣብኡ ምህዳኡ ስለ ዘይተኻእሎ፡ ኣብ ጥቓ'ቲ እምባ ንዝነበረ ዓዲ፡ ሓዊ ኣቃጸሎ።

ለልሽ፡ ባርዕ ናይቲ ሓዊ ምስ ረኣየ፡ ሓቦ ሰኒቑ፡ ምስ ተኸተልቱ ካብቲ እምባ ወሪዱ፡ ንገረዛዲቕ-ሰዓብቱን፡ ጉበጦም። ሰዓሮም ድማ። ገረጻዲቕ ንዕድል ኣምሊጡ፡ ኣብ ዓድ ሞንጎንቲ ተዓቚበ። ለልሽ እውን ብወጉኡ፡ ካብ'ዚ ንላዕሊ ከሕስር ኣይደፈረን። ሰለስተ-ወርሒ ዝኣክል ግና ኣብ ዓረዛ ጸኒሑ፡ ብኹላ ኣጽኒቱ ንሱ'ውን ብግደኡ ሓዊ ኣቃጺሉን ዝኣኽሎ ዘሚቱን ንዓዱ ተመልሰ።

ብዝረኸቦ ዓወት ትዕቢት ኣሕዲሩ ግና ለልሽ ምስ ኣዝማዱ ኣብ ምስሕሓብ ኣተወ።

ሸውዓተ-ወርሒ ብድሕር ምቅጻል ዓረዛ፡ ነገሮም እናኸረረ ብምኻዱ፡ እቲ ክልተ-ወገን ንሓድ-ሕዱ ኣብ ብረት ተባጺሑ፡ ለልሽ ተቐትለ።

እዞም ኣብ ደቃ-ተስፋ እተካየዱ ፍጻሜታት፡ ደጊያት-ውቤ ተሳዒሩ ኣብ " ሰሜን " ተማሪኹ ኣብ ዝነበረሉ/ተድሮስ ድማ ገና ስልጣኑ ከይደልደለ ብ 1855 ዓ.ም. ኣቢሉ እዮም ተፈጺሞም።

ብድሕር'ዚ፡ እንደገና ናይ ያዕ-ያዕ/ ምስሕሓብን/ ጊዜያት እዩ ቀጺሉ።

ገረጻዲቕ፡ ተመሊሱ ንደቃ-ተስፋ ወሪሩ ራሰየ። ኣብ እግረ-መልሱ ግና፡ እቶም ብኣኡ እተወረሩ ህዝቢ፡ ደድሕረኡ እናሰዓቡ ኩሳብ ዓረዛ በጽሑ። እንደገና ኑቲ ዓዲ ሓዊ ኣንዲዶም ድማ እቲ ተጓየ፡ ንስራየ ገጹ ቀጸለ። ገረጻዲቕ ኣብ ዓድ-ኧላ ከዕቆብ ተገዲዱ፡ ኣብኡ ድማ ብ ኣይተ-ገረእምላኽ ተቐትለ። ከምዚ'ሉ ኣይተ-ገረእምላኽ ካብ ኣርዑት «እንዳ-ዓረዛ» ተላቐቐ።

ሓው መዋቲ ኣይተ-ገረጻዲቕ ዝኾነ ኣይተ-ወንደፍራሽ፡ መብዛሕትኦም ኣዝማዱ ዝኣባላቱ ሰዓብቲ ኣኸቲሉ፡ ናብ " ኣገው-ንጉስ " ተጸምበረ።

ኣገው-ንጉስ፡ ኣብ ውድድር ዝፋን-ንግስነት ኢትዮጵያ፡ ኣንጻር ተድሮስ ተሰሊፉ ኑቲ ብ መንግስቲ-ፈረንሳ እተገብረሉ ናይ ሓገዝ መብጽዓ ከሰንቕ ንማለት፡ ንገማግም-ባሕሪ ገጹ እዩ ዝቀራረብ ነይሩ። ን መረብ/ምላሽ ብዝኣተወ፡ ንደቃ-ተስፋ/ ቆሓይን/ ወረሩን-መሊኹን(ስራየ ድሮ ተመሊኹ እዩ ጸኒሑ)፡ ምምሕዳር ናይ ምሉእ «ደቃ-ወረሰናዝጊ» ንኣይተ-ወንደፍራሽ ኣረከቦ።

እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ኑቶም መግዛእቲ-ራእሰታት ኣብ መረብ/ምላሽ ይኣክል ዝበሉ፡ ብእንዳ-ጸዓዘጋ ተመሪሖም ወገን-ተድሮስ ኰይኖም ዝጸንሑ ህዝብታት ናይዚ ኣውራጃን/ ህዝቢ ሓማሴን፡ ብዙሕ ኣጕሃዮም።

ምምሕዳር ኣይተ-ወንደፍራሽ ኣብ ደቃ-ወረሰናዝጊ ግና፡ ውሑድ-እዋን እዩ ጸኒሑ። ምኽንያቱ እቲ ብፈረንሳ ከመጽእ እተባህለ ሓገዝ ምስ ተደናጕየ፡ ኣብ ውሽጥ'ቲ

ዓድታት እውን ብዝተላዕሉ ተቓውሞታት፡ " ንጉስ " ነዚ ዓድ'ዚ ክለቅቕ ተገደደ። ሓይሊ ተድሮስ እናደንፍዐ መጺኡ ድማ፡ ናብዚ ገጹ ተቐራረበ።

ንጉስ፡ ብታሕተዋይ-መረብ/ ታሕተዋይ-ተከዘን ኣቢሉ ንዓድ-ኣምሓራ ምእታው ኣብ ዝገበሮ ፈተነ ተሳዒሩ ምስ ተቐትለ(1862 ዓ.ም.)፡ መረብ/ምላሽ ብምሉኡ እንደገና ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር «እንዳ-ጸዓዚጋ» ተመልሰ።

ኣብቲ እዋን'ቲ መራሒኡ ዝነበረ ደጊያት-ሃይሉ፡ንቲ ዝጸንሐ ኩነታት ናብ ሕጋውነቱ-ጥንታዊ ባህሉን- ንምምላሱ ተቐላጢፉ። ብዘይካ'ዚ፡ ንየም ኣብቲ ፋሉላዊ እዋናት ዓቕኖም ዘጥፍኡ ሹም-ጉልታት፡ ዝጠቕለልዎ መዝነታት ሚዛን ከንብርሉ ዓደመ።

ኣብ ትሕቲ ንግስነታት- ተድሮስ/ዮሃንስ-፡ «እንዳ ዓረዛ» ነቲ ብኣንጻር ፍትሕን-ሕግን/ ብውዲት/ኩነታት ብምምዝማዝን/ ዘጥረይዎ ርኸበታት፡ ንምምላሱ'ኳ እንተ-ጽዓሩ፡ ምንም ስልጣን ኣይተዋህቦምን። ኣላሽ ግን ኣይበሉን። እዚ እንዳ'ዚ፡ ኣብ ዝነበሮ መዝነት ንምምላስ ካብ ዘካየዶ ምብልሓት ሓደ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ወ/ሮ ውባ ጓል-ደጊያት ንጉስ(ቦኽር-ውላድ ገረጻዲቕ)/ ልጅ-ካሳ ወድ ደጊያት ሃይሉ/ እተገብረ መውስቦ ክጥቀስ ይከኣል።

ካብ'ዚ መውስቦ'ዚ እዩ እቲ ብቕትለት " ግብጣን-በቲኒ " ተኸሲሱ ሕማቕ-ዝኸረ ዘትረፈ ኣዝማቲ-ኣበራ ዝውለድ።

ከም ዝበሃሎ፡ ውባ ኰነት/ካሳ፡ብወገን ኣደታቶም ካብ ክልተ ኣገልገልቲ-ጊላታት እዮም ዝውለዱ። ስለ ዝኾነ'ውን፡ እዚ ኣበራ እተባህለ ውላዶም፡ ጽቡቕ-ግሩም ጎበዝ ክነሱ፡ ብደባን ሕብሩን- ጥፍንቕ ዝበለ መልክዕ ገጹን፡ ካብቲ ብብዝሒ ኣብ እንዳ-ዓበይቲ (እንዳኡ'ውን እንተኾነ) ዝረኣ፡ ንጽሩይ መልክዕ ዓሌት-ኢትዮጵያውያን ዘጽር መልክዕ፡ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ።

* * *

እዚ ኣብ ሞንጎ ውባ-ካሳን እተገብረ መውስቦ፡ ንሓደ ኣብቶም ሰዓቦም ኣብ ኤርትራ እተኻየዱ ፍጻሜታት ዓቢ ተራ እተጻወተ ውልቀ-ሰብ፡ ክብ ንምባል ዕድል ዝኸፈተ መውስቦ እዩ ኰይኑ። ብዛዕባ *ዘላምበራስ ክፍለየሱስ* ወድ ኣይተ-ጕፋር በዓል ዓድ ክልካል (ደኩናረዳእ) እዩ ዝዝረብ ዘሎ።

ኣይተ-ጕፋር፡ ተኸታሊ ደጊያት-ውቤ ኰይኑ ኣብ እተፈላለየ እዋን ብዘመስከሮ ሓይሊ-ትብዓት- ቆራጽነት፡ ኣብ ዓዱ ዓቢ ኣኽብሮት ዝነበሮን፡ ዝፍራሕ ሰብን እዩ ዝነበረ።

ኰይኑ ግን፡ 'ኩናረዳእ ጉልቲ ገዳም ደብረ-መንቀርዮስ ብምንባሩ፡ ኣቡን ናይቲ ደብረ እዩ ሹም-ጉልቲ ተባሂሉ ዘመሓድሮ ዝነበረ። ስለ'ዚ'ውን ኣይተ-ጕፋር፡ ዝኾነ ዓይነት ምምሕዳር ደኸን ስልጣን ኣይጸንሖን።

ደጊያት-ሃይሉ ንካሳ እተባህለ ወዱ ምስ ውባ በዓልቲ ዓረዛ ብዘዋሰቦ፡ ኣብ ደቃ-ተስፋ ብዙሓት ሓደስቲ ፈተውቲ እናጠርነፈ፡ ፍቕዲ ሰዓብቱ ስለ ዝበርከተ፡ እቲ ተጻራሪኡ ዝኾነ ራእሲ-ወለንኪኤል ሚዛን ንምሕላው፡ ንጓሉ ወ/ሮ ጥሩ ክፍለየሱስ ምስ እተባህለ ወድ ኣይተ-ጕፋር ኣዋሰባ።

እቲ ዝኸተል ዛንታ ኣጸቢቕና ንምርዳእ፡ እንዳ ኣይተ-ጕፋር ከምዚ እዩ ዝነበረ ቅርጹ፥

ኣይተ-ጕፋር

1ይቲ- መሓሉት 2ይ- ከንቲባይ ፍርዙን 3ይቲ-ጥሻል 4ይ- ክፍለሱስ 5ይ-ሃይሉ

መሓሉት- ሃይሉ፡ ብዘይ ሓድጊ-ውላድ እዮም ሞይቶም። ጥሻል፡ ኣብ ደምበላስ ኣትያ፡ ግምጃ እተባህለት ጓላ ምስ ሻለቃ-ጉርጃ ተዋሲባ፡ ውብነሽ እተባህለት ጓል ወሊዳ እያ

ሞይታ። ውብነሽ ብግደኣ፡ ብ 1892 ዓ.ም. ምስ ወድ ኣይተ ዓረዶም በዓል ድባርዋ እያ ኪዳን ኣሲራ።

ከምዚ'ሎም እቶም ኣብ ዳሕረዋይ-ደረጃ ዝሰርዑ ኣባላት ናይቲ እንዳ ካብ ተዘከሩ፡ ስዒቡ ዝቐርብ ዛንታ ንቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ዜጋታቱ እዩ ክምልከት።

ኣይተ-ጐፋር፧ ዕቤት-ሓይሊ ብዝደለበ፡ ን ጐይትነት ናይቲ ገዳም(ደብረ-መንቀርዮስ) ነጺጉ፡ ንባዕሉ መራሒ 'ኩኖረዳእ ኰነ ደምበላስ ናይ ም኿ን እዩ ሃንቀውታኡ ዝነበረ። ከም ሓቂ ዛንታኡን ንሱ'ውን ከም ዝብሎን፡ ኣብ ጥንታዊ-ዘመናት፡ 'ኩኖረዳእ ኣካል ደምበላስ እዩ ዝነበረ። ነቲ ገዳም ተባሂሉ እዩ'ውን ከም ጉልቲ ካብ ደምበላስ ተፈልዩ። እቲ ጊዜ ኣብቂዑ ግን፡ ምምሕዳር ቤተ-ክህነት ተረፉ፡ እቲ ኣብ ክልተ ተኸፊሉ ዝጸንሐ ወገናት ኣብ ዕቤቱ ክምለስ እንተድኣ ኰይኑ፡ ምጽምባሩ ኣድላዪ ከም ዝኾነ ዝብሉ ምጉት ተላዕሉ። ከም ሳዕቤን ናይቲ ክርክር ደማ ክልተ-ሰልፍታት ቆሙ።

እቲ ብኣይተ-ጐፋር ዝምራሕ ቀዳማይ ኣብ ሓይሉ ዝኣመነ ጉጅለ እዩ ደማ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ወሲዱ። በዚ ደማ፡ ሰለስተ-ካህናትን/ እቲ ደጊያት ውቤ ባዕሉ ናይቲ ደብሪ ጸጥታ ንምሕላው ዝለኣኾ ወካሊኡን፡ ተቐትሉ። ውቤ በዚ ብድሆ'ዚ ተላዒሉ ዝበኖኛታት ንምቕጻዕ፡ ሓያል ጭፍራ-ሰራዊት ለኣኸ። ኣይተ-ጐፋር ኣምሊጡ ኣብ በረኻ ሰፈረ። ዓድ-ክልካል እተባህለ ዓዲ ግን፡ ብምሉኡ ተወሪሩን-ተራሲዩን ያና ምስ ኰነ፡ ፍርዙን-ክፍለየሱስ እተባህሉ ክልተ-ህጻናት ደቅ ኣይተ-ጐፋር ከም ጀሆ ን "ሰሜን" ናብ ውቤ ተወሲዱ።

ተድሮስ ኣብ ንግስነት ብዝመጸ እዩ ኣይተ-ጐፋር ንዓዱ ክምለስ ክኢሉ፡ ደቁ'ውን ተረኪቡ። እዚ ሓድሽ ሃጸይ፡ ከህድኦን/ ዝኾነ ዓይነት ግርጭት ምስቲ ገዳም ተመሊሱ ከይለዓል ብምሕሳብን፡ ንጐፋር ግብሪ ካብ ምኽፋል ነጻ በሎ። እዚ ግን ብጠባዩ ዋዒ ስለ ዘጥቅያ፡ ሓንሳብ'ኳ ብሰላም ኣይዓረፈን። ካልእ ምግባር ስለ ዘይተኻእሎ ደማ፡ ኣብ ሽፍትነት ዘድሃቡ ሰባት ጠርኒፉ ጭፍራኡ ኣቐሙ ን ባርያ-ባዛ-ባርካ-ቦነስ-ኪኖኡ ክሳብ ዓቢ መንተል፡ ንራሲያ ተዋፈረ።

ምስ ሰራዊት ናይቲ ኣብቲ እዋን'ቲ መራሒ ምሉእ መረብ/ምላሽ ዝነበረ ደጊያት-ሃይሉ ኩናት ዝገጠመሉ እዋናት'ውን፡ ውሑድ ኣይኰነን።

ኣይተ-ጐፋር ብድሕሪ ውሑድ ዓመታት ከምዚ'ሉ ምስ ነበረ፡ ኣብ ሞቱ፡ ን ኣይተ-ክፍሎም እተባህለ ሓው እዩ መሪሕነት ናይቲ ጭፍራ ኣመሓላሊፉሉ። እዚ'ውን ብግደኡ ኣብ እርግናኡ፡ ነዚ ዘሕዝን ናይ ሽፍትነት-ውርሻ "ኣይተ-ፍርዙን" ንእተባህለ ወድ-ሓው እዩ ኣውሪስዎ።

ከንቲባይ-ፍርዙን፧ ንሓጺር እዋን ነዚ ብቐሊሉ መኸሰብ ዝርከበሉ ጥበብ፡ ን ባርያ-ባዛ ብፍላይ እናራሰየ ቀጸሎ።

ኣብቲ እዋን'ቲ እዩ *ሃጸይ-ዮሃንስ* ኣብ ዝፋን-ንግስነት መጺኡ። ሓደ ካብቲ መዲብዎ ዝጸንሐ ጽገናታት፡ ምምሕዳር ጉልታት/ ካብ ገዳማት ምፍላይ፡ ዝብል'ውን ነይርዎ እዩ።

ነዚ፡ ብ ነጀው-መረብ እውን ንምትግባሩ፡ ከም መራሕን-ብስም ንጉስ ደማ ከም ኣመ-ሓዳሪ ኩሉ «ምድሪ-ፈላሲ»(ብቤተ-ክህነት ክመሓደሩ ዝጸንሑ ምድሪ)-ተባሂሉ *ሃሊቃ-ብሩ* ተላእከ።

መረብ/ምላሽ ኣብቲ እዋን'ቲ ብስም ንጉስ-ዮሃንስ፡ ብ "ዋግ-ሹም ገብሩ" እዩ ዝመሓደር ዝነበረ። ዋግ-ሹም ገብሩ፡ ነቲ ኣብ ደቃ-ተስፋ ዝጸንሐ ኩነታት፡ ኣብ ስርዓቱ ንምምላስ፡ ምስ "ሃሊቃ-ብሩ" ብስምምዕ፡ ን *ክፍለየሱስ* መራሒ 'ኩኖረዳእ ክኸውን መረጸ። ክፍለየሱስ ኣብ ክንድ'ቲ ፍርዙን እተባህለ ምዕባይ-ሓው እተመረጸ ምኽንያት፡ እዚ ዳሕረዋይ ብዝነበሮ ተራጻሚ ጠባይ- ኣብ ሓደ ዘይምስማር- ኰብላሊ ብምንባሩን፡ እቲ ጉልቲ ዝሓቶ ስርዓት-ጸጥታ ኣየውሕስን ብዝብል ርእይቶ እዩ።

ዋግ-ሹም ገብሩ/ ሃሊቃ-ብሩን እዚ ፈጺሞም ንትግራይ ተጸዊዖም ብዝተመልሱ፡ ህዝቢ ኩኖረዳእ፡ኣብቲ ዝጸንሐን-ይሓይሽ ዝበሎን ምምሕዳር ናይቲ ደብሪ(ገዳም) ንምምላስ፡ ኣንጻር'ዚ ሓድሽ-ጐይታ ተላዕለ። ክሳብ ኣብ ረጽሚ እውን ተባጺሑ። ክፍለየሱስ ኣስኒፉ ደማ፡ ብዝተረረ ኣገባብ ገዚኦም። ሃጸይ-ዮሃንስ ግን ጸላእ ረጽምታት ብምንባሩ፡

ነዚ ነገራት'ዚ ንምጽራይ ንራእሲ-ባርያው ንመረብ/ምላሽ ለኣኾ። ክፍለየሱስ ኵን ደጋፊኡ ዝነበረ ፍርዙን ሓው፡ መራሕቲ ናይቲ ናዕቢ ዝነበሩን ተኣሲሮም፡ ኣብ ቅድም-ንጉስ ቀረቡ። ንጉሳዊ ቤት-ፍርዲ፡ ንክፍለየሱስ- ፍርዙን- ነጻ ለቒቑ፡ ንሸውዓተ ካብቶም ተቓወምቲ ክርሸኑ ፈረዶም።

ንጉስ-ዮሃንስ ብድሕር'ዚ ፍርዲ፡ ንፍርዙን «ከንቲባይ» ን ክፍለየሱስ ድማ *ባላምባራስ* ሸይሙ «ቀሚሽ-ሃረ» ህያብ ኣበርኪተሎም። ክፍለየሱስ ኣብ እግሪ ንጉስ ወዲቑ፡ ነቶም ፍሩዳት ምሕረት ተገይሩሎም ነጻ ክልቀቑ ሓተተ። በቲ ንጉስ-ነገስት ብክብርን ዓለባ-ሃርን ዝፈለጠሉ ወግዓዊ-መዝሙር ናይቲ ጉልቲ ተጠቒሙ ድማ፡ እዞም ተፈረዶም ዝጸንሑ ሰባት፡እሙናት- ተማእዘዝትን ኰይኖም ኣብ ስርዓት ክምለሱ ምኺኖም፡ ባዕሉ ብነብሱ ተዋሒሶም። ብዘይካ'ዚ፡ እተዋህቦ ናይ ምምሕዳር መዝነት፡ ምስ ፍርዙን-ሓው ብሓባር ከዘውትሮ ዝብል ፍቓድ'ውን ሓተተ።

እቲ ልቦና ዘላልዮ ንጉስ-ዮሃንስ፡ ልቦና ካልእት'ውን የድንቕ ብምንባሩ፡ ንክፍለየሱስ ኩሉ'ቲ ዝሓተቶ ፈቒደሉ።

እዚ፡ ኣብ ክባቢ፡ታት 1872 ዓ.ም. እዩ ዝኾነ።

ክፍለ የሱስ፡ ብዛዕባ ፍርዙን ኣብ እተዘርበሉ፡ መብዛሕትኡ ታሪኽ በላምበራስ ክፍለ የሱስ እውን ተገሊጹ እዩ።

ንሱ፡ካብ 1870 ዓ.ም. እትሒዙ ንወ/ሮ ጥሩ ጓል ራእሲ-ወለደሚካኤል(ሽዑ ደጊያት) ምስ ኣእተወ እትሒዙ እሙን ተኸታሊ ሓምኡ እዩ ዝኾነ። ምሳኡ ሓቢሩ፡ ኣብ ጐኒ ሰራዊት ንጉስ-ዮሃንስ ኣብ «ጉዳ-ጉዲ» እንጻር'ቶም ብ " ኮሎኔል ኣረንድሩፕ " እተመርሑ ግብጻውያን ተሰለፈ።

ኣብቲ ዝሰዓበ ዓመት፡ ዮሃንስ ኣብ ልዕል ወለንኪኤል ናይ እምነት ተስፋ ኣሕዲሩ፡ ምምሕዳር ጥንታዊ-ሓማሴን -ማለት ምምሕዳር ናይቶም ብሰሜን ሰንሰለት ኣኽራናት ምኽዓው-ቆላ ዝርከቡ ዓድታትን- ተኸላኺሊ ሰሜናዊ ዶባት ኢትዮጵያ እንጻር'ቶም ሕነ ምፍዳይ ክሕልኑ ዝጸንሑ ግብጻውያን፡ ዝብል መዝነት እውን ኣረኪብዎ ነይሩ እዩ።

በላምበራስ ክፍለ-የሱስ ግን፡ ንንጉስ-ዮሃንስ ዝግባእ ምስጋና ነጺጉ፡ ኣብ ጉራዕ ምስ ሓምኡ ሓቢሩ ኣንጻር ንጉስ ኩተተ። ብድሕር'ዚ'ውን ክሳብ'ቲ ወለንኪኤል ብክሕደት ተታሊሉ እተማረኸሉ እዋናት፡ ምሳኡ እዩ ተሰሊፉ።

ራእሲ-ወለንኪኤል ብግብጺ ተደጊፉ ርእሱ-ዝኸኣለ ግዝኢ ምሉእ መረብ/ምላሽ ንምኹን እዩ ተሰፋኡ ዝነበረ። ግብጻውያን፡ ደገፍቲ ናይዚ መደባት ኰይኖም፡ ወለንኪኤል ኣብዚ ሃገር'ዚ ዝነበሮ ስልጣን ተቐቢሎም፡ ንመጻኢ'ውን ተዓዊቱ ስልጣን ምስ ዝድልብ፡ ነቲ ዝዓበየ ግዝኣቱ ክኣምንሉ ምኺኖምን ዘመስክር፡ መብጽዓ ዘመልክት " ወርቂ-ጋማ " እውን ልኢኾምሉ ነይሮም እዮም።

ሰሜናዊ-ክፍሊ ኣከለ ጉዛይ፡ተኸታሊ ወለንኪኤል እዩ ዝነበረ። ሽመዛና ግን፡ ማእከላይ-መርገጺ ሓዘ።

ከንቲባይ-ፍርዙን ግን ምስ ሰዓብቱ፡ኣብ እምነቱ ጸኒዑ፡ ኣብ ኩናት-ጉራዕ ኣብ መሳርዕ ንጉስ እዩ ዝነበረ ጸግዑ።

ሰበ-ስልጣን ግብጺ ዝነበሮም ድርብ-ፖሊቲካ ተገንዚቦ፡ ራእሲ-ወለንኪኤል ብንጉስ ክኣምን ኣብ ዝወሰነሉ እዋን፡ ብእሉላ ተኸዲዑ ምስ ተማረኸ፡ ክፍለ-የሱስ እውን ምሳኡ እዩ ተማረኸ። ኰይኑ ግና፡ ወለንኪኤል ንትግራይ ተወሲዱ «እምባ-ሰላማ» ኣብ ተባህለ ቦታ እንኪሕየር፡ ክፍለ-የሱስ ብእሉላ ተመቕሒሉ፡ ኣብቲ እዚ ራእስ'ዚ ኣብ ዓድ-ተኸላይ ኣቕምዎ ዝነበረ መደበር እዩ ተኣሲሩ። ን 6-ወርሒ ዝኣክል ድማ፡ ዘሰክሕ ዓይነት ስቅያት ኩሉ፡ ተጻዊሩ ሓለፈ። ከም ዝበሃል፡ ብትእዛዝ-እሉላ፡ ብኣካላዊ-መግረፍቲ እውን ተቐጺዑ እዩ።

ብድሕር'ዚ፡ ብፍቓድ ንጉስ ሓራ ተለቒቑ ከብቅዕ፡ ካብቲ ምስ ፍርዙን ሓው ብሓባር ዝነበሮ መዝነት-ምምሕዳር ኩኖረዳእ ተቐንጠጠ። ከምዚ'ሉ ድማ፡ ፍርዙን እዩ ንውልቁ ጕይታ ናይቲ ጉልቲ ኰይኑ ጸኒሑ።

ከፍለ-የሱስ ኣብ ዓድ-ተኸላይ ተኣሲሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፡ ደጊያት ንጉሰ- ልጅ ኣስገዶም- እተባህሉ ካብ እንዳ-ዓረዛ፡ ናብ ራእሲ-ኣሉላ ቀሪቦም ግዝኣት ደቃ-ተስፋ-ሓተትዎ። ንሶም ከም ዝበልዎ፡ ብመሰል-ትውልዲ። ብርእይቶኦም፡ ከፍለየሱስ ኩን ፍርዙን፡ እዚ መሰል'ዚ ኣይግቦኦምን ዝነበረ። ፍርዙን ግን ብንጉስ-ዮሃንስ ጽቡቕ ተቐባልነት ብምንባሩን- ዮሃንስ ድማ ብተመኩሮኡ ብ ነጀው-መረብ ዝነበረ ግዝኣት ከዕቅብ ምእንቲ፡ ኣብዚ ቦታ ንዝርከቡ ኣመሓደርቲ ደቀ'ባት ዓቕን ዘይብሉ ዕቤት ምፍቃድ፡ ሓደገኛ ምዃኑ ተረዲኡ ብምንባሩ፡ ነቲ ብደጊያት ንጉሰን-ልጅ ኣስገዶምን ዝቐረበ ኣቤቱታ ነጸጎ።

በላምበራስ ከፍለ-የሱስ ካብ ማእሰርቲ ምስ ተለቐቐ፡ ንቕሩብ እዋናት ሃዲኡ ብሰላም ኣብ ዓዱ ነበረ። ብድሕሪ ኣርባዕተ-ወርሒ ከምልጥ ክኢሉ ብባርካ ሓሊፉ ኣብቲ ብግብጺ ከመሓደር ዝጸንሐ መሬት ተዓቝበ። በቶም ናይ «ሰንሒት» ሰበ-ስልጣን ጽቡቕ ተቐባልነት ተገይርሉ ድማ፡ ኣብ " ሓልሓል " እዩ ነቢሩ። ኣብዚ ሓሙሽተ-ወርሒ ድሕር ምጽናሕ፡ ንከረን ተጸዊዑ ኣተወ። ምስ ተኸተልቲ 50-ጠበንጃ ዝኸውን ተዋሂብዎ ኣብቲ ብላታ-ገብሩ ብኣሉላ ተኣዚዙ ኣንጻር'ቶም ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር-ግብጺ ዝነበሩ ዓድታት ዝፍጽሞ ዝነበረ ወራራት ንምዕጋት፡ ኣብ እተፈላለዩ ቦታ ዶብ ዓድ ሓበሻ ይለኣኽ ነበረ።

እዚ ኩነታት'ዚ፡ ክሳብ ምኽታም «ውዕል-ሀወት»(መስከረም 1884 ዓ.ም.) እተፈ-ጸመሉ ዕለትን-በዚ ኣቢሉ ድማ ምልቃቕ ግብጺ ካብ ሰንሒት- ከምኡይሉ እዩ ቀጺሉ።

ብላታ-ገብሩ ንከረን ብዝኣተወ፡በላምበራስ ከፍለ-የሱስ ካብ ቦታኡ ለቒቑ ኣብ «ሓባብ» ተዓቂበ።

" ድርቡሽ " ንምብራቓዊ ከፍሊ-ሱዳን ክሳብ ጉማግም ንምውራር ዝነበሮም መደባት ብዝሰምዐ፡ ከፍለየሱስ ምስ ሰዓብቱ ኣብ ገዳም «ጸዕዳ-እምባ» ተዓቝቡ ጸኒሑ፡ ብሽምግልና ናይቶም ካህናት ምስ ኣሉላ ከዕረቕ- ብንጉስ ከኣምን- ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ንምኽታት እውን ምሳኦም ክሰለፍ- ዝብል መደቡ ኣፍለጠ። ኣሉላ ግን፡ ካብ ተጻራሪ-መርገጺኡ ስገጥ ክይበለ፡ ነቲ ጉዳይ ብሓደሊ ምፍታሑ ወሰነ። እቲ ቦታ ምጥቃዕ ጽንኩር ኰይኑ ስለ ዝረኸቦ ግና፡ ብጥሜት ክሕዞ ንማለት፡ ነቲ ቅዱስ-እምባ ብሓያል ሰራዊት ከበቦ።

3-ወርሒ ብድሕር'ዚ ከበባ ስንቂ ምስ ተወሓደ፡ ሓደ ለይቲ፡ በላምበራስ ከፍለየሱስ ምስ 30 ሰዓብቱ፡ ብኣኡ ክሃድሙ ኣይክእሉን ተባሂሉ ሓለዋ ዘይተገብረሉ ህጉም-ኣጻድፍ ብገመድ ተወርዊሮም ከምልጡ ክኣሉ።

ኣፍልጦ ናይዚ ቦታ ንዘለዎ ሰብ እውን ዘገርም ፍጻሜ'ዚ፡ ብሳላ " ሻለቃ-ጉርጃ " እተባህለ ተባዕ- መስተውዓልን ካብ ወታሃደራት ከፍለየሱስ እዩ ክዕወት ክኢሉ።

ሻለቃ-ጉርጃ ንበላምበራስ ከፍለየሱስ ሰብኣይ ጓል-ሓውቱ እዩ። ኣብ ሀልዊ እዋን፡ «ዩሸባሺ» ኣብ 4ይ-ቦጦሎኒ ደቀ'ባት ምሳና(ኢጣልያ) ዝዓሰከረ እዩ።

ሰራዊት-ኣሉላ ናይ ከባባ ስርሓቶም ብቕድሚ ምጅማሮም፡ ጉርጃ ምስ 15 ሰብ-ጠበንጃ ስንቂ ክናዲ ብከፍለየሱስ ንባርካ ተላኢኹ እዩ ጸኒሑ። እተባህሎ ፈጺሙ ብዝተመልሰ፡ ጕይታኡ ብ 700 ዝኾኑ ተባዓት-ጀጋኑን ሰብ ጠበንጃ (ብላታ-ገብሩ እውን ዝነበረሉ) ተኸቢቡ ምንባሩ ተገንዘበ። -(ብላታ-ገብሩ፡ ኣብቲ ዝሰዓበ ዓመት «ኩፊት» ኣብ እተባህለ ቦታ፡ ድርቡሽ ንሰራዊት-ኣሉላ የጥቅዕዎ ኣብ ዝነበርሉ፡ ንኡስ-ሰራዊት ኣኸቲሉ ብተበተብ ንረዳት ተጸዊዑ፡ ንድርቡሽ ኣብ ዝሰዓረሉ ኩናት እዩ ተቐቲሉ)-

ሻለቃ-ጉርጃ ሕልናኡ ከየዕረበ፡ ከፍለየሱስ ብዝነበሮ ጥበብ ካብቲ ኩነታት ክላቐቕ ከም ዝኽእል ተኣማሚኑ፡ ነቲ ናይ ከባባ መስመር ሃንደበት ብለይቲ ኣጥቅዖ። ቦታ እናለወጠ፡ ኩል-ጊዜ ግና በቲ ናብ ገዳም ገጹ ዘውጽእ መንገዲ ብብርቱዕ እናጥቀዐን-እናሰሓበን ጸንሐ። ከፍለ-የሱስ እቲ ሓሳብ ተረዲኡ፡ በቲ ዘይሕሰብ መንገዲ ብዘገርም ኣገባብ ምስ ኩሎም ሰዓብቱ ከምልጥ ክኢሉ፡ ምስቲ እሙን ሻለቃኡ ሓቢሮም እንደገና ኣብ " ሓባብ " ተዓቝቡ።

ብድሕርኡ'ዚ፡ ክፍለ-የሱስ ንቕድም ምስ'ቶም ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ባጽዕ ዝነበሩ ልኡኻት ብሪጣንያ፡ ውዕላት ኣበገሰ። ካብኡ'ም ድማ ሓደ-ሽሕ ቅርሺ ባጠራን/ ሓደ-ሳጹን ጠያይትን ተዋሂብዎ፡ኣብ'ቲ ዝነበሮ ቦታ ምጽናሕ ከም ዝሓይሽ ዝብል ምሕጽኖት ተገብረሉ።

ኣስዒቡ ምስ "ዑስማን-ድግማ" ንምርኻብ 10 ብጾቱ ኣኸቲሉ፡ ባዕሉ ብነብሱ ቀረበ። *ዑስማን-ድግማ፡* ኣብ'ቲ ኣንጻር ግብጺ-እንግሊዝን ዓሪድሉ ዝነበረ «ሸልሓት» እተባህለ ቦታ ኣብ ከባቢ'ታት ሰዋኪን ተቐበሎ።

ክፍለየሱስ ሓገዙ ከበርክትን፡ ኣብ ምስልምና ኣሚኑ ደጋፊ «ማሕዲ» ክኸውን እውን ተወፈየ። ለውጢ ናይዚ ድማ፡ ምስ'ቶም ናቱ ዝጽምበሩ ሰራዊት-ብረትን ከወሃቦ'ሞ፡ ኣንጻር ዓድ-ሓበሻ ክኸተት ሓተተ።

ዑስማን-ድግማ ግን፡ ነዚ ሓሳብ'ዚ ነጺጉ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሓደ'ኳ ካብ ወታሃደራቱ ካብ'ቲ ኣንጻር-እንግሊዝ ኣሰሊፍዎም ዝነበረ መኸተ ክእልዮ ከም ዘይክእል ኣረዲኡ፡ እቲ ኩናት ኣንጻር ዓድ-ሓበሻ፡ ክፍለየሱስ ንበይኑ ክጅምሮ እሞ፡ ኣብ'ቲ ዝስዕብ እዋናት ክድግፎ ምዃኑ ዝብል ምኽሪ ኣቕረበሉ። ብዛዕባ'ቲ ሃይማኖቱ ለዊጡ ኣብ ምስልምና ክእምን ዘቕረቦ ሓሳብ ግን፡ ብንጹህ-ድልየቱ ኣብ ዓዱ ባዕሉ ክእመነሉ ተላበዎ።

ዓመተ-ምህረቱ፡ 1885 ዓ.ም. እዩ ዝነበረ።

ብ 5 የካቲት ድማ፡ ቀዳማይ-ጭፍራ ሰራዊት ኢጣልያ ወደብ-ባጽዕ ወረረ። 7-ወርሒ ብድሕርኡ'ዚ፡ በላምበራስ ክፍለ-የሱስ ምስ "ኮሎኔሎ-ስተላ" ውዕላት ንምክያድ፡ በቲ እሙን ተኸታሊኡ ሻለቃ-ጉርጃ ኣቢሉ፡ ናይ ጽሑፍ-ርክባቱ ጀመረ።

ሰበ-ስልጣን ኢጣልያ ነቲ ልኡኽ-ደብዳቤታትን ብኣወንታ ብምቕባሎም፡እዚ፡ እቲ ናይ መጀመርያ ጽልዋና ኣብ ህዝቢ-ሓባብ ዘሕደርናሉ መሳርሒ ኮነ። ስዒቡ ድማ ሓባብ ብምልኡ ኣብ ትሕቲ ሓለዋና ክዕቌብ ሓተተ።

ብ 23 ጥሪ 1887 ዓ.ም. በላምበራስ ክፍለየሱስ፡ ብፍቓድ "ጀነ" እተባህለ ጀነራል፡ 160 ተኸተልትን-50 ጠበንጃን መሪሑ «ሕጥምሎ» ኣተወ። ብኡንብኡ ድማ፡ 100 "ረሚንግቶን" እተባህሉ ጠበንጃ ተወፈይሉ።

ብዕለት 25 ናይ'ቲ ወርሕ'ቲ «ጸዓቲ» ብኣሉላ ተጠቕዐ። እቲ ዜና ኣብ ባጽዕ ብዝተሰምዐ፡ ክፍለየሱስ ኣብ'ቲ ዝሰዓበ መዓልቲ፡ ምስ "ኮሎኔሎ ደ-ክሪስቶፎሪስ" ናብ'ቲ ዓውደ-ውግእ ክብገስ፡ ናይ ተዳሎ ምልክታ ተዋህቦ። ብዘይተሓሰበ ጸረ-ትእዛዝ ግን፡ ደ- ክሪስቶፎሪስ፡ ኢጣልያውያን-ወታሃደራት ብፍላይ ኣኸቲሉ ተበገሰ።

ብ 1889 ዓ.ም. ክፍለየሱስ ምስ'ቲ እተደላደለ ጭፍራኡ ን መዓስከር-ከረን ተላእከ። ኣብ ዝሓጸረ እዋን ግን፡ ርእሱ ከም ዝኸኣለ መራሒ፡ ብዘይካ ቀይዲ ባዕሉ ክመሓደር ጀመረ። ስለ'ዚ'ውን መግዛእታዊ መንግስቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት ናይ ዝሰዓበ ዓመት፡ ብ "ማጆረ ዲ-ማዮ" እተመርሐ ሓደ-ክፍሊ ዓስከር ደቀ'ባትን/ ባንዳታት ዝሓዘ ክፍለ-ሰራዊትን/ ኣንጻሩ ክልእኽ ተገደደ።

ብዕለት 02 ወርሒ ሰነ፡ ከረን ብዝኣተው፡ ክፍለየሱስ ብድሕር-ቅሩብ ወለቕ-ዘለቕ ዝበለ ተቓውሞ፡ ምስ'ቶም ኣብ ውሽጥ'ቲ ዕርዲ ዝነበሩ ብጾቱ ተማረኸ።

ስዒቡ ኣብ ዓሰብ ተሓይሩ፡ ኣብኡ እዩ ሞይቱ።

ዘርኢ በ/ስ ክፍለ-የሱስ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጥሩ ጓል ራእሲ ወለንኪኤል			
1-ጸሓይ ወረዳ	2-ሓደ ወዲ	3-ልጅ ኣዳል	4-ልጅ ኣሸብር
ብህጻና እያ ሞይታ	ብህጻኑ ዝሞተ	ክበዝ ወድ 17 ዓመት እዩ በዓል ሕማቕ-መንፈስ። ምስ ኣዲኡን-ኣባሓጎኡን ኣብ ዓድዋ እዩ ዝነብር።	10 ዓመት እዩ ዕድመኡ እዚ'ውን ምስ ኣዲኡን ኣባሓጎኡን ኣብ ዓድዋ ይነብር።

ብዘይካ'ዚኦም፡ በላምበራስ-ክፍለየሱስ ቅድሚ ንወይዘሮ ጥሩ ምእታው፡ ካብ ሓንቲ «ገረድ»፡ ክልተ-ደቂ ወሊዱ እዩ ጸኒሑ፥

1ይቲ- መስቀል፡ 25 ዓመት እቢሉ እዩ ዕድመኡ። ምስ ልጅ-ሃይለ እተባህለ ዘመድ ሓድጉ'ንበሳ፡ ኣብ ድምበዛን እያ ተቀሲባ።

2ይ- በላምበራስ ይልማ፡ ንሱ'ውን ኣብ «ዓሰብ» እዩ ሞይቱ። ታሪኹ ድማ ብሰዕብ ጽማቕ ክቐርብ ይኽእል፥

ክፍለየሱስ ምስ ሰዓብቱ ኣብ ከረን ምስ ተማረኸ፡ ሻለቃ-ጉርጃ እዩ ንውልቱ ኣብኡ ምሳኦም ዘይጸንሐ። ንሱን 30 ዝኾኑ ሰብ-ብረትን፡ ካብ ከረን ወጻኢ ኣገባብ ዘይሓዘ ቀረጽ-ግብርን ንምስግዳድ እዮም ተላኢኾም ዝነበሩ። ጉርጃ፡ ብኣኡ ኣቢሉ ንበረኻ ምስ ወጸ፡ ብናይ ተውህቦ ብልሓቱ ንዝኾኑ እተገብረሉ መጸወድያ ከምልጥ ክኢሉ፡ ንየው-ነጀው ይብል ነበረ። ብሕልፊ ኣብቲ ዝወለደሉ ደቃ-ተስፋ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ክሳብ ኣብኡ ምስዓቡ ኣድላይ ኮይኑ ስለ ዘይተረኸበ፡ ንዓኡን-ሰዓብቱን ንምህዳእ፡ ኑቲ ምስ መላእ ቤተ-ሰቡ ተኣሲሩ ዝጸንሐ "ይልማ" ምልቃቕ እዩ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ተባሂሉ፡ ከምኡ'ውን ተገብረ።

ይልማ ተለቒቑ ንደቃ-ተስፋ ብዝኣተወ፡ ብዙሓት ሰብ ብረት ምሳኡ ተጸምበሩ። ምስ ሰራዊትና(ኢጣልያ) ሓቢሮም ድማ፡ ኣብ «ውግእ-ዓድዋ» ተሳቲፎም እዮም።

ካብኡ ብዝተመልሰ፡ ይልማ፡ በላምበራስ ብዝብል ሽመት ርእሱ ክኢሉ ብባህርያዊ-ሃብቲ ዓዱ ክናበር ተፈቒደሉ። እዚ ማንዘርብሕ ኮይኑ ስለ ዘይረኸበ(ምናልባት'ውን ብሓድ-ሓደ ምኽንያታቱ ተደፋፊኡ)፡ ኣብ ራስያ ተዋፊረ። ብዛዕባ'ዚ ክምልሽ ተሓቲቱ እምብይታ ብዘቕረበ፡ ከዲዑ ተባሂሉ ከም ሽፍታ ተሃደነ።

ኣንጻሩ፡ ሓያል ጉልበት ባንዳ/ ዓስከር ደቀ'ባት-ኤውሮጳውያንን ተዋፊሮም፡ ኣብ ሓድ-ሓደ ግጥማት እውን ጸሚዶም እዮም። ውጽኢት ግን ኣይተረኸበን። ይልማን ሰዓብቱን ኣብቲ እተወልድሉ ሃገር፡ ነጻ ኮይኖም ራሲያታቶም ቀጸሉ። ብዘይካ ስክፍታ ከዋፈሩ ዝደገፍዎም ረቋሒታት ድማ፥ ባህርያዊ-ጽንኩርነት ናይቲ ቦታን/ዋሕዲ መራኸቢ መስመራት/ኣብቲ ምስዓቦም ዘይከኣል ከኤዋይ ሸነኽ ፈለግ-መረብ ብቐሊሉ ናይ ምስጋር ዘለዎም ተኽእሎን እዩ።

ኣብ ወርሒ ሓምለ ናይቲ ዓመተ-ምህረት(1891)፡ ብሞንጎኝነት ደጊያት-ስባህቱ፡ ይልማን ሰዓብቱን ብፍቶት ኣብ ዓረዛ፡ ናብ "ክሎኒሎ-ፕያኖ" ሰለሙ።

ቊፍራኡ ብረቱ ተቐንጢጡ ተበታቲኑ። ይልማ ድማ ጽቡቕ ክንክን ተገቢርሉ ኣብ ኣስመራ ክነብር ተፈቒዱ።

ሻለቃ-ጉርጃ፡ "ዩሽባሺ" ተባሂሉ ኣብ ዕስክርና ተኸትበ። ዝተረፉ ድማ፡ ምሕረት ተገይሩሎም ነጻ ተለቒቑ።

ብድሕር ቅሩብ ኣዋርሕ እዚ ፍጻሜታት እተኸየደሉ ግን፡ ብ ክንኤው-መረብ ይለኣኽ ብዝነበረ መልእኽትታት ተተባቢዑ ይልማ እንደገና ኣንጻር-ኢጣልያ ውዲታት ኣለዓለ። ሻለቃ-ጉርጃ እዩ ድማ ኑቶም ንይልማ ንዓሰብ ዝሓየርዎ ሰበ-ስልጣን፡ ምስጢር ናይቲ ማእለማታት ገሊጹሎም።

ይልማ ኣብ ዓሰብ እዩ ሞይቱ።

3ይተ- ወይዘሮ መግደል፥ ካልእ ብወሰን ካብ ገረድ እትውለድ ጓል በላምበራስ ክፍለ-የሱስ፡ ምስ ልጅ ካሕሳይ በዓል ሃዚጋ እያ ተቀሲባ።

* * *

ስዒቡ ዝቐርብ ስእሊ፡ ዘርኢ-ወለዶ እንዳ-ዓረዛን፡ ንዓኡ ዘብርህ ሓድ-ሓደ ሓበረታን እዩ፥



ቃኝ-ኣዝማሪቲ ካፌይ፥ ኣዝማዱ ብዝኾኑ እንዳታት ወትሩ እዩ ተነጺሉ። ከሳብ'ውን ሕጋውነት ትውልዱ ኣብ ምጥርጣር ኣብጺሖም፡ ካብ ጋላ እተወልደ እዩ ይብሉ።

ምስ ሓድ-ሓደ ብጾቱ ንውሱን-እዋን ኣብ በረኻ ከባቢታት " ሰፍአ-ማንጻይ " (ማይ-ኣንበሳ) እዩ ጸኒሑ። ብድሕር'ዚ፡ ንቕድም ምስ በዓምበራስ ክፍለየሱስ፡ ስዒቡ ድማ ምስ ደጊያት ሓድጉ'ንበሳ ዓስኪሩ። ኣብ ጭፍራ ሓድጉ'ንበሳ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዩ'ውን ብመንግስቲ-ኢጣልያ ተፈላጥነት ረኺቡ።

ኣለው እተባህሉ ኣባላት እንዳ-ዓረዛ ምስ ይልማ ሓቢሮም ተቓውሞ ንምልዓል ብዝገበርዎ ውዲታት ኣብ ዓሰብ ምስ ተሓየሩ፡ ካፌይ ብኢጣልያ እዩ መራሒ-ዓረዛ ተሸይሙ። እዚ ዘይተጸበዮ ዕድል ግን ከምቲ ምስ ኩሎም ደቀ'ባት ዘጋጥም ዘሎ፡ ናይ ልዕልነት ስምዒት ኣሕደረሉ። ትምኒቱ፡ መራሒ ምሉእ ደቃ-ተስፋ ክስየም እዩ ዝነበረ። ብሕልፊ መራሒ «ዛይዳክሉም» ክበሃል። ይብጹሓኒ ብዝብል ጠለብ።

እዚ ግን፡ ማንም ከማንዘቦ ከም ዝኸእል መሰረተ-ኣልቦ እዩ።

ዛይዳክሉም፡ ዓድ ሻለቃ-ጉርጃ ከም ምዃኑ፡ ንሱ እዩ ኣብዝ-ዓዲ ሓያል ጽልዋ ዝርከቦ። ንደቅ-ዓዱ ናብ መሬቶም ንምምላስ፡ ባዕሉ ብዘንቀሎ መደብን- ንሱ ዝጸወሮ ወጻእ ገንዘብን- ዘራእቲ እናቕረበ ኣብ ሕርሻዊ-ማእቶት ንኽዋፈሩ ዝዓደመ፡ ሻለቃ-ጉርጃ እዩ። ብዘይካ'ዚ ድማ ከምቲ ድሮ ብደቂቑ እተገልጸ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ጉልታት ዓረዛ- ዛይዳክሉም ዝፈሰሰ ደም፡ ካፌይ ንዘቕርቦ ጠለባት ይዓግቶ እዩ።

እዚ ኩነታት ተመልኪትካ እምበእር፡ ኣብ ደቃ-ተስፋ ኢጣልያዊ ኣመሓዳሪ ምምራጽ እተወሰደ ስጉምቲ፡ ነዊሕ ዝኣመተ- ቅኑዕ ፍታሕ ክይኮነ ኣይተርፍን። ከመይሲ ነቲ ደቀ'ባት ኣብ ስልጣን ብዝበጽሑ ዘሕድርዎ ናይ ልዕልነት ዝምባለ ኩነ/ ነቲ ኣብ ሞንጎ እተፈላለዩ ነገዳት ዘሎ ምስሕሓብ ዘሎግስ ምርጫ ብምዃኑ። ልዕል-ኩሉ ድማ፡ እቶም ዝሓየሉ ዚጋታት ኣብ ልዕል'ቶም ዝደኸሙ ዝፍጽምዎ ገበናት ዓብላሊ ከይከውን እዩ ዋና ጥቕሙ።

ከምዚ'ሉ ንእብነት ኣብ "ደቃ-ተስፋ" ብ «በለው» እተሃዘበ "ደቃ-ታዕስ" እተባህለ ጉልቲ ይርከብ። እተጠቕሱ ሀዝቢ-በለው ምስ «እንዳ-ናይብ» ሓደ እዩ መበቆሎም። ወረ'ውን ከሳብ ንግስነት ሃጼይ-ዮሃንስ ኣብ ዝነበረ እዋን፡እቲ ጉልቲ ንባዕሉ «ጉልቲ-ናይብ» እዩ ዝበሃል ነይሩ።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብቲ ምድሪ ዝነብሩ ገባር ን " ካፌይ " ዝኸፍልዎ ግብሪ ንምእጋድ፡ ኣቤቱታእም ናብቲ ኣመሓዳሪ ከቕርበሎም ንማለት፡ ንናይብ እዮም ከም ወካሊእም መሪጾም።

ነገርም ከመይ ከም እተፈጸመ ኣይተፈልጠን። ብዝኾነ ግና ሸለል ክበሃሎ ኣይግባእን። ብናይ ደቀ'ባት ኣተሓሳስባ፡ ዝኾነ ግብረ ዘስገድድ-ሰብ፡ በዓል መዝነት ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣባል ካልእ ነገድ ክኸውን ኣይፍቀድን።

ሎም ግን ንደቃ-ተስፋ ዘመሓድር በዓል-መዚ ኢጣልያዊ ካብ ኰነ፡ ከለዓል ዝኽእል ናይ ምስሕሓብ ጠንቅታት፡ ትርጉም ኣይህልዎን። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እቲ ኣንጻር-ይልማ እተኻየደ ዘመተ ዘኸተሎ ተመኩሮ፡ ከንርስዮ ኣይግባእን።

እቲ ኣብ ሞንጎ ተኸተልቲ በላምበራስ ከፍለየሱስ ኰነ ወዱን ብሓደ ወገን/ ኣባላት እንዳ ዓረዛ ድማ በቲ ሓደ/ እተገብረ ናይ ሓድነት ስምምዕ ሰኣን ኣስተውዒልካ ንቕድም ምፍላጥ እዩ ጸገማትን-ማእለያ ዘይብሉን ክሳራ ኣኸቲሉ። ደጊም ኢጣልያዊ-ኣመሓዳሪ ኣብቲ ቦታ ካብ ተመርጸ፡ እዚ ነገራት'ዚ ተመሊሱ ከየጋጥም፡ ተስፋ ዝንበረሉ እዩ።

ምልከታ፥

(1)- *ደጊያት ንጉስ ዓረዛ ምስ ተመልከ፡ ምስ "ይልማ" ሓቢሩ ኣንጻር-ኢጣልያ ይመከር ብምንባሩ፡ ምስ ይልማ ብሓባር ኣብ ዓሰብ እዩ ተኣሲሩ።* ደጊያት-ንጉስ ኣብ ማሕዩር-ዓሰብ እዩ ሞይቱ።

(2)- *ወይዘሮ ውብ እዶ ኣዝማቲ-ኣበራ እያ።*

(3)- *በላምበራስ መሸሻ* ንሱ'ውን ተሓባባሪ ይልማ ብምንባሩ፡ ኣብ ዓሰብ እዩ ተሓይሩ። ሞቲ ኣብኡ ይነብር።

(4)- *ልጅ ሃይሉ ማርያም ሕያዋይ-* ጽቡቕ ጠባይን ዘለዎ ጎበዝ እዩ። ኣብ ዓረዛ ምስ ካፈይ ብስኢት ይነብር።

(5)- *ደጊያት-መንገሻ* እዚ'ውን ብተመሳሳሊ ምኽንያት ኣብ ዓሰብ ተኣሲሩ ይነብር። ኣንነት- ትዕቢትን ዘላልይዎ ዕጽው እዩ ጠባዩ። ኣብ ህልዊ-እዋን እንተኾነ፡ ኣብ ደቃ-ተስፋ ሰዓብቲ ይርከብዎ። ካብ'ቶም ኩሎም ኣብ ማሕዩር ዝርከቡ ደቅ-እንዳኡ፡ እዚ ደጊያት-መንገሻ እተባህለ ኣባሎም እዩ ዝያዳ ሓለዋ ዘድልዮ።

(6)- *ልጅ-ኣርኣያ* ጎበዝ ወድ 18-20 ዓመት እቢሉ ይኸውን። ናይ ልዕልንት ሃንቀውታ ዘዋቅዖን-ክሳብ'ውን ምስ ካፈይ ዝፋጠጥን እዩ። ኣብ ዓረዛ ዝውንኖ ግራውቲ እናሓረሰን- ንዓድ-ራእሲ እናተመላለሰን ምስ ኣዲኡ ይነብር። እቲ ደጊያት-መንገሻ እተባህለ ሓው ካብ ማእሰርቲ እንተዝልቀቕ-ወይ'ውን ሰዓብቲ እንተዝረክብ፡ ብርግጽ ልጅ-ኣርኣያ ኣንጻር-ካፈይ ምተላዕለ።

ኣዲኡ ወይዘሮ-ኣበራሽ ጓል ደጊያት መርእድ ሓው ራእሲ-ወሰንኪኤል፡ በዓልቲ-ሃዘጋ እያ።

ወይዘሮ ኣበራሽ ካልኣት ደቂ እውን ዝወለደት እያ። ካብኣቶም ድማ፡ ምስ ወድ ደጊያት-መንገሻ በዓል ሽረ እተዋሰበት፡ ወ/ሮ ኣምለሰት ትዝከር።

(7)- *ልጅ-እምሀሮ* እዚ'ውን ኣብ ዓሰብ ተኣሲሩ ይርከብ። ህዱእ እዩ፡ ዝንዳእ'ውን ኣይመስልን።

(8)- *ልጅ-ኣዳል፥* መንእሰይ ወታሃደር-ካፈይ እዩ። ምሳኡ ጽቡቕ-ርክብ ስኢትን ምህላው ይፍለጥ።

****

VII. ጉንደት

እንዳ ሹም-ጉልቲ

" ሽርካር-መዚንገር " ኣብቲ «መጽናዕትታት ብዛዕባ ምብራቕ-ኣፍሪቃ» ዘርእስቱ ጽሑፉ ንህዝቢ ጉንደት ኣብ ዝምልከት ክፍሊ፣ ከምዚ ዝስዕብ ይጠቅስ፧

> «....ብሓፈሻኡ ኩሉም ኣብ ጉንደት ዝነብሩ ህዝቢ፣ ቡቲ ጽፉቕ ሕብራ-ቈርበቶም ካብቶም ካልኦት ሰብ-ከበሳ ይፍለዩ እዮም። ባህሊ-ልምዲ-ጠባዮም ንዝምልከት ድማ፣ ነቶም ኣብ ሰሜናዊ-ዶባት ዓድ ሓበሻ ዝነብሩ ህዝቢ ይመስሉ።
>
> ካብ ሰራየ ዝፍለዩ ክነሶም፣ፖሊቲካዊ-ምምሕዳርም ኣብ ትሕቲ "መንግስቲ-ሃይሉ" እዩ። መበቆሎም ብርግጽ እዚ'ዩ ኣይበሃልን....»

እቲ እዚ ጽሑፍ'ዚ እተጻሕፈሉ እዋናት -ሕዳር 1861 ዓ.ም.- ብሓቂ ኣገዳሲ እዋናት እዩ። ምኽንያቱ ካብኡ ክም ዝርከብ ሓበረታ፥

1)- ቅድሚ 32 ዓመት(ካብ 1892 ዓ.ም. ንድሕሪት)፣ጉንደት ርእሱ ዝኸኣለ ኣካል እዩ ዝነበረ። ምንም'ኳ ቡቲ ንምሉእ መረብ/ምላሽ ዘመሓድር መራሒ ተቐይዱ እንተ ጸንሐ፣ ካብ ሰራየ ፈጺሙ እተፈለየ ክፋል እዩ ነይሩ።

ስለዚ፣ እቲ ባላምበራስ ተስፋማርያም "ይብጸሓኒ" ኢሉ ዘቕርቦ ናይ ግዝኣት-ተገብኦ/ ወይ ናይ ምትዕብላል ክርክራት፣ ወዳቒ ይኸውን።

2)- ኣካላዊ-ቅርጺ ኩን/ ባህላዊ-ልምዶም፣ ካብቶም ኣብ ከባቢ ዓድታት ዝርከቡ ህዝቢ ዝፍለ'ኳ እንተኾነ፣ ምስቶም ኣብ ሰሜናዊ-ዶባት ዝነብሩ ህዝብታት፣ ሓደ-ሓደ ተመሳሳልነት ከም ዝርከቦም ይጥቀስ።

3)- ኣብ መወዳእታ ድማ፣ እቲ ብዛዕባ ናይ ኢትዮጵያ "ኢትኖግራፍያ" (ስነ-ሰብ) ብቑዕ መምህር ዝበሃል «ሙዚንገር» ብዛዕባ ህዝቢ ጉንደት ርጉጽ ርእይቶ ምሃብ ካብ ዘይተኻእሎስ፣ ካልኦት ብዝሃብኦ ክገልጽዎ ኢልካ ምሕሳብ፣ ዘይከኣል እዩ። ጥቓኡ ንምቕራብ ክሕግዙ ዝኽእሉ ጭብጥታት ምውሃል ግን፣ ጠቓሚ ከይኮነ ኣይተርፍን።

ኣብቲ ቦታ ካብ ዝርከቡ ሓበረታን/ ኣብ ኣዝዩ እተመሓላለኸ ኩነታት፣ ኣብዝን-ኣብትን ብመሰረት መሬት ማሕረስ/ግጠሽ/ሲቪላዊ ምምሕዳር/ጉዳይ-ሕግን/ ዝለዓሉ ምስሕሓብ ጠንቅታትን ተመልኪትካ፣ እዚ ኣብ ጉንደት ዝነብር ህዝቢ፣ ብምድብላቕ ናይቶም ካብ ኩሉም ወረዳታት ንግስነት-ኢትዮጵያ እተኣኻኸቡ ዘጋታት ዝቖመ እዩ፣ ወይ ናቱ ውጽኢት እዩ ዝብል ሞጉት ምቕራብ፣ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይከውንን።

ህዝቢ ጉንደት፣ ዘርኢ ናይቶም ቅድም ብሃጼያት/ ስዒቡ ድማ ብራእስታት ትግራይ ይለኣኹ ዝነበሩ ሰራዊት እዩ።

እዚ ብ"ኣዳም-ሰገድ" ወይ ቀዳማይ-እያሱ(1680-1704 ዓ.ም.)ጀሚሩ፣ክሳብ ዘመነ ደጊያት-ውቤ(1831-1855 ዓ.ም.)ዝቐጸለ ተልእኾ፣ ነቲ ብ«ነጀው-መረብ» ወትሩ ሓርነቱ ዓቂቡ ባዕሉ ዝመሓደር ዝነበረ ጥንታዊ ምድረ-ባሕሪ ንምምላኹ ወይ ዕቤቱ ንምዕጋት ተባሂሉ እዩ ዝፍጸም ዝነበረ።

ንህዝቢ-ጉንደት ዝመስሉ ህዝብታት፣ ኣብ "እንጋንእ" ይኹን ኣብ "ዓይላ" እውን ይርከቡ እዮም። ካብኣቶም ድማ፣እቲ ኣብ እንጋንእ ዝርከብ እዩ'ውን ጥንታዊ ዝበሃል። እዚ ኣብ ጉንደት እተሰራሒጠ ጨንፈር፣ ዳሕረዋይ ከይኮነ ኣይተርፍን። ከም ዝመስሎ እውን፣ ብዘመነ ራእሲ ሚካኤል-ስሑል እዩ ቅጡም ምስፍሕፋሑ ጀሚሩ።

እቲ ብሚካእል ስሑል እተላእከ ጭፍራ-ሰራዊት፣ ሕድሩ ብእተባህለ ዜጋ ተመሪሑ፣ ኣብቲ ክሳብ ሽዑ ዋንነት "ህዝቢ ጉልቲ-መራጉዝ" ኮይኑ ዝጸንሐ መሬት፣ መቐሚኡ ገበረ።

ንጊዜኡ፣ ወታሃደራዊ-ወራር መሲሉ እዩ ቀሪቡ። ከምቲ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝዘውተር ልምዲ ግና፣ ኣንስትን-ቈልዑን ኣብ ኩናት'ውን ከይተረፈ ደድሕር-ሰራዊት ኣቦታቶም ስለ ዝኸተሉ፣ እቲ እተላእከ ጭፍራ ን "ሓለዋ-መረብ" ተባሂሉ፣ ንውሕ ዝበለ ጊዜ ኣብኡ ብምጽናሑ፣ ኣባይትን- ቈሸታትን ምህናጽ ተጀመረ።

ኣብ እዋናት ሰላም-ቅሳነት፣ ሓድ-ሓደ ካብታቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበረ መሬት ክሓርሱ ጀመረ'ሞ፣ ከምዚ'ሉ በብቑሩብ እቲ ወታሃደራዊ-ኣሃዱ፣ ኣብ ናይ ሓቂ መማዝእታዊ-ምስፍሕፋሕ ሰገረ።

ዋንነት-መሬት እዩ'ውን ኣብ ሞንጎ'ቶም ጥንታውያን ወነንትን-እዞም ኢጋይሽን፣ መላዓሊ ጠንቂ ኮይኑ ተረኺቡ።

ሕድሩ ብዝሞተ፣ ዓቕላስ እተባህለ ውላዱ እዩ መራሒ ናይቶም ስደተኛታት ዝነበረ።

ነገር-መሬት ምስ ተላዕለ ድማ፣ ነቶም ቀዳሞት-ነባር እዩ ከፈእዎም። መማዝእቲ፣ ምስ-ፍሕፋሑ ቀጸለ። ብዘመነ "ደጊያት-ውቤ" ድማ፣ 150 ሰብ-ጠበንጃ ካብ እንጋንእ ንረዳት ተላእኩ'ሞ፣ ብምልእ ህልዊ ጉልቲ-ጉንደት ተመሊኹ፣ ጥንታውያን ወነንቲ ፈጺሞም ተባረሩ።

ህዝቢ ከም ዝኣምኖ፣ዓቕላስ 999 ኣሓ ኣጥርዩን- 40 ደቂ ወሊዱን- ኣብ ኢጋ 100 ዓመት ዕድመኡ እዩ ሞይቱ ይበሃል።

ደጊያት-ውቤ፣ ኣብ እተፈላለየ እዋን ብኣስገዳድ የገብሮ ነበረ። ክሳብ'ውን ኣብ ማእሰርቲ ዘብጽሖ እዋናት ይዝከር። *በላምበራስ-ውቤ* እተባህለ ቦኸሪ- ወራስን ዓቕላስ ግና ምስ ሰዓብቱ፣ ኣገልጋሊ ናይቲ ሓያል መኾሰ ብምንባሩ፣ ብዘይካ ዝወሃቦ ዝነበረ ደገፍ፣ ዋንነት ንብረት ጉልቲ-ጉንደት እውን ብወግዒ ተፈልጠሉ።

ከም ባህሪኡ፣ እዞም ንመረብ/ምላሽ ባዕዳውያን ዝኾኑ ህዝብታት፣ ወትሩ ደገፍቲ ራእሲታት/ ነጋውስን ዓድ-ሓበሻ እዮም ዝነበሩ። ካባታቶም ድማ፣ ኣብ እተፈላለየ እዋን ሓገዝ ውህበታትን ይግበረሎም ነበረ።

ከምዚ'ሉ "ሃጸይ-ተድሮስ" ንቲ ኣብ ጉልቲ-ጉንደት እተፈጥረ ኩነታት፣ ወግዓውነቲ ኣልበሶ። ኣብ ትሕቲ "ንግስነት-ዮሃንስ" ድማ፣ ብ 1875 ዓ.ም. ቅድም'ቲ ኣብ ኩናት«ጉዳ-ጉዲ»እተሳዕረ ሰራዊት-ግብጺ ምምጻኡ፣«ሕጋዊ-ምክፍፋል» ናይቲ መሬት ተተግቢሩ።

በላምበራስ-ውቤ ከም መራሒ ናይቲ ጉልቲ፣ኣቦ-መንበር ኮይኑ ኣብ ዝመርሖ ማሕበር ናይቶም ስድራ-ቤታት ድማ፣ 9 ሽማግለታት ተመርጹ። ተልእኾኦም ከኣ፣ ንብምሉእ መሬታት ናይቲ ጉልቲ፣ብመሰረት ፍቕዲ ናይቶም "ሰብ-መሰል" እተባህሉ ስድራ-ቤት ብማዕረ ምውዳቕን- ምምቃልን እዩ ዝነበረ። ከምኡ ድማ ኮነ።

እዚ ምክፍፋል'ዚ ግና፣ ሓያል ምስሕሓብ እዩ ኣኸቲሉ። እቲ ነገር፣ ብመሰረት ዳኛይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ፣ ኢጣልያ ብዝወሰኖ ፍርዲ ድኣ ንጊዜኡ ይዕረፍ እምበር፣ ምፍታሑስ ኣይተኻእለን ዘሎ።

እቲ ውሳነ፣ ንቲ ብ 1875 ዓ.ም. እተፈጸመ ኣዋድቓ-መሬት እዩ ኣረጋጊጹ።

ከምቲ ብባህሊ ዝጸንሐ ናይ ደሳ ኣዋድቓ-መሬት፣ንነፍስ-ወከፍ ስድራ፣ ካብቲ መራሕ-ጉልቲ ጀሚርካ(ዋንነት-መሬት ንዝምልከት፣ንሱ'ውን እንተኾነ ከም ህዝቡ ስለ ዝም-ቀል) ማዕረ ዝኾነ ክፍሊት እዩ ተገይሩ።

****

ሓጺር ስእሊ ዘርኢ-ወለዶ ሹማምንቲ ጉልቲ-ጉንደት ከምዚ ዝኸተል እዩ፥

ሕድሩ

1)-ዓቕላስ

2)-ስሙ ምፍላጡ ዘይተኻእለ ካልእ ውላድ።

በላምበራስ ወቢ - መዚንገር እውን ብወገኑ ዝረኸቦ ዝናዊ-ሓበሬታ ሓቲ ምስ ዝኸውን፡ 39 ብሕጊ-ብወሰንን እተወልዱ ካልኣት ኢሕዋቱን።

1ይ- በላምበራስ ኣባይ፡ ዝሞተ እዩ። በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ጥሩ፡ ጓል ደጊያት-ስባሁቱ በዓል ኳርንሽም እያ ዝነበረት። ካብኣ'ውን ልጅ-ንጉስ እተባህለ 9-10 ዓመት ዝዕድሙኡ መንእሰይ ዝወለደ እዩ። ልጅ-ንጉስ፡ ምስ ኣዲኡ ኣብ እምባ-ደርሆ፡ ኣብ ቤት እኖሓጎኡ ይነብር።

2ይ-ልጅ ወልደንኪኤል፡ ሀልዊ ኣመሓዳሪ ናይቲ ጉልቲ።

****

VIII.- ሰፍኣ

<u>መተሓሳሰቢ፥</u> ሽመት-መዓርጋትን ንምርግጋጽ እተኻየዱ ውዲታት ከም ኣብነት ምቕራብን/ መንዩ በዓል መሰል- መንከ ዘራፊ ብቕኑዕ ንምፍራድን/ ጭብጥታት ናይ ምጥርናፍ ክካየድ ዝግበኦ ዕዮ፡ ከመይ ዝኣመሰለ ምኽኑ ንምብራህ (ምንም'ኳ እዚ ናይ ሰፍኣ፡ ካብቶም ኣብ መረብ/ምላሽ ዝርከቡ ናይ ስልጣን ጽፍሕታት፡ ለጠቕ ዝበለ ሽመትን-ክብርን እውን ይሃልዎ) እዩ ንእንግዚ እዚ ኣብ ሀልዊ-እዋን(ሽዑ) ኣብ ሞንጎ ክልተ-ኣባላት ሓደ እንዳ ዘሎ ምስሕሓብ፡ ከም ኣብነት ዝቐርብ ዘሎ።

ጉዳዩ፡ ባሕረ-ነጋሲ ወረዳ ሰፍኣ (ማለት ናይ'ቶም ብምዕራብ ሓማሴን ዝርከቡ ጉልቲ) ዝብል ሽመት-ስልጣን፡ ንመኖም ከም ዝግባእ ናይ ምውሳን እዩ እቲ ሞጕት።

<u>ሰፍኣ፡ ብእንዳዊ-ውርሻ ዝመጸ መዝነት ሹም-ጉልቱን</u>

ተስፋጽዮን ወድ-ኣልመደም ብመስመር-ወለዶኡ ኣቢሉ እቲ«ባሕረ'ጋሲ-ሰፍኣ» ዝብል መዝነት፡ ብመሰል ሕጋዊ-ውርሻ ንዓኡ ከም ዝግባእ ይምጉት። እንጻሩ ብእተሳዕሉ ሓድ-ሓደ ኩነታት ግና፡ ነዚ መዝነት'ዚ ሃዲኡ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ኣይተኻእሎን። ኣቐዲሙ፡ ባሕረ'ጋሲ ኣስገዶም እተባህለ ሓወ'ቦኡ ምስ ከንፈ እተባህለ ሓደ ውላዱ ብትእዛዝ ደጊያት-ሃይሉ ምስ ተቐትሉ፡ ተስፋጽዮን ገና ኣብ ዕሽል-ዕድሜኡ ብምንባሩ ውርሻኡ ከመሓድር ኣይብቑዕን ዝነበረ።

ዋግ-ሹም ገብሩ ብትእዛዝ ንጉስ ዮሃንስ ነቲ ብሰንኪ ኣብ ሞንጎ ደጊያት ሃይሉን-ራእሲ ወለንኪኤልን እተላዕለ ቃልሲታት/ዝሰዓበ ምንዋጽን ንምህዳእ ንሓማሴን ብዝመጸ፡ ተስፋጽዮን ዕድሜኡ ኣኺሉ ኣብቲ ዝግበኦ ምምሕዳር ውሪሻኡ ክኣቱ ዝበቅዕ፡ "ገብሩ ወድ-መሲ" ንእተባህለ ሓወ'ቦኡ እዩ ከም ወካሊ፡ መራሒ ሰፍኣ ኰይኑ ክጸንሕ መሪጽዎ።

ንብሩ ግን፡ ዋላ'ውን ተስፋጽዮን ዕድመኡ ኣብቂዑ መሰሉ ምስ ሓተተ፡ እተፈቕደሉ መዝነት ኣይለቅቕን በለ።

ተስፋጽዮን ኣብ እተፈላለየ እዋናት ናብ ራእሲ ኣሉላ ኰነ ንጉስ-ዮሃንስ ኣቤቱታኡ ኣቕሪቡ ወትሩ ረትዐ። ንብሩ የቕርቦ ንዝነበረ እምብይታ ዘሰነፈ ግን፡ ሰበ-ስልጣን በብእዋኑ ዝወሰንዎ ፍርዲ ዘይኰነስ፡ እቲ ነዊሕ-እዋን ዝሳቐዮ ሓያል ሕማም-ቅርጥማት ኰይኑ ብ 1892 ዓ.ም. ድማ ብሰንኪ'ዚ፡ ብሞት ዓረፈ።

ተስፋጽዮን ግን መዝነቱ ምስ ተፈልጠሉ'ውን እንተኾነ፡ ሰላም ኣይረኸበን።

ንጉስ-ዮሃንስ ኣብ ዝጸመዶ ውግኣት፡ ካብ መተማ ከይተረፈ ደድሕሪኡ ክስዕብ የገድዶ ነበረ። ንሓማሴን ብዝተመልሰ ድማ፡ብኢጣልያ ተወሪሩ ጸንሖ። ተቐላጢፉ ናብ "ማጆረ ዲ ማዮ" ቀረበ'ሞ፡ እዚ'ውን ምስ ደጊያት-ስባሁቱ ዝነበሮ ዕርክነት ተገንዘቡ፡ ምሳኡ ክጸንሕ መዓደ።በዚ'ውን 4 ወርሒ ዝኣክል ምሳኡ ጸንሐ። ብድሕር'ዚ ህላዌ-ኢጣልያ ኣብ ከበሳ ፈጺሙ ምስ ተረጋገጸ፡ ተስፋጽዮን ብሰላም ንዓዱ ክምለስ ክኣለ። ቅሳነቱ ግን ነዊሕ ኣይጸንሐን።

እቲ ምስ ደጊያት-ስባሁቱ ዝነበሮ ምሕዝነት፡ ንደጊያት ሓድጉ'ንበሳ ኣየቕሰኖን። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ዕለታት ሓደ-መዓልቲ ዕድመ ልኢኹ ናብኡ ጸውዖ። ብወገን ናቱ ሰልፊ ክስራዕ- ክንቀሳቐስን ብዝተወከሶ ድማ፡ ተስፋጽዮን ክብሪ ብዝመልአ መልሲ፥ ኣብ መኣዲ ክልተ-ጕይቶት ምቕራብ ነውሪ ከም ዝኾነን- እቲ ምስ ደጊያት ስባሁቱ ዝነበሮ ምሕዝነት ኣኻሊ ምኽኑን ዝብል ሓሳቡ ገለጸ'ሞ፡ ሓድጉ'ንበሳ በዚ ሰብኣዊ-ክብሪ ዝትንክፍ መልሲ ተቖጢዑ፡ ኣንጻሩ ተዓጥቀ።

"ጭሩም" እተባህለ ካብ እንዳ-ተስፋጽዮን፡ እዚ ወረ'ዚ ብዝሰምዐ፡ ኢድ ክነስእ ናብ ሓድጉ'ንበሳ ቀረበ።

ብመሰረት ኣተራጉማ «ውዕል-ውጫለ» ዝሰዓበ ጠንቀቃት፡ ኢጣልያ ካብቶም ኣብ ምዕራባዊ-ወገን ዝርከቡ ዓድታት ክስሕብ ምስ ተገደደ፡ ሓድጉ-እንበሳ በቲ እተፈጥረ ባዶ-ቦታ ተጠቒሙ፡ን ጭሩም መራሒ ዓድ-ፈለስቲ (ማለት ርእሰ-ከተማ ወረዳ ሰፍኣ) ኢሉ ሸይሙ-ደጋፊኡ ኰይኑ ሓደ-ጠበንጃ ኣዕጢቑ፡ ናብቲ ቦታ ለኣኾ።

ብደቀ'ባት፡ በዓል ሓደ-ጠበንጃ ክበሃል እንክሎ ኣብቲ እዋን'ቲ(1890 ዓ.ም.) ካብቶም ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ተገዳስነት ዘይነበሮም ሰበ-ስልጣን ኢጣልያ ንሳዕሊ እዩ ዝፍራሕ ዝነበረ።

ተስፋጽዮን ኣብ እተፈላለየ እዋናት፡ ንተጻራሪኡ ኣብ ቤት-ፍርዲ ከሰሶ። ጭሩም ግን ብልዕል-ሕጊ ንዕቀት ሓዲርዎ ንዝኾነ ጻውዒት ነጸገ።

እቲ ዝለዓለ-ጫፍ ጸገማት ተስፋጽዮን ዘጋጠሞ ድማ፡ ብ 1891 ዓ.ም. እዩ።

ኣብ እተጠቕሰ ዓመተ-ምህረት፡ እቲ ኣንጻር «እንዳኡ» ዝኾነ ኣዝማቲ-ኣበራ(ካብ ዘርኢ ሃይሉ) ኣብቲ ብ ክንቲባይ-ሃይሉ ኰነ/ እቲ "ሙምማዝ-ፈረሰኛ" ዝብል ሽመት ዝነበሮ ዓይነታ ከተማን እተኣልመ ናይ ዕልዋ ውዲት፡ ተስፋጽዮን እውን ኢድ ከም ዘእተወ ዘመልከት ክሲ ኣቕረበሉ።

ክንቲባይ-ሃይሉ/ሙምማዝ-ፈረሰኛ ዓይነታ-ከተማ፡ ንወልደንኪኤል ብዝጥዕም እዮም ተረሺኖም። ኣንጻር ተስፋጽዮን ግና፡ ዝኾነ ጭብጢ ኣይተረኸበን። ብዝኾነ ግን 4-ወርሒ መመላእታ ንሓለዋ ተባሂሉ ኣብ እንዳ ደጊያት-ስባሁቱ ብጥርጣረ ተኣሲሩ ጥራሕ ዘይኰነ፡ ከም ናይ'ዚ ባህርያዊ ሳዕቤን፡ ናይ ምምሕዳር መሰሉ ተቐንጠጠ።

ብድሕር'ዚ እዩ ጭሩም ኣመሓዳሪ-ሰፍኣ ተመረጸ።

* * *

ባሕሪ ነጋሲ ደበሳይ (ኣመሓዳሪ ሰፍሒ ብዘመን ራእሲ-ሚካኤል)
እይተ ተኸሉ እተባህለ ውላዱ-ብቕድሚ ኣቦኡ እዩ ሞይቱ-

1ይ- ባሕሪ-ነጋሲ ኣዛርያ ን ኣባሓጎኡ ዝወረሰ - 2ይ- እይተ እናንያ (ስዒቡ ዝቕርብ)

ቀናይ-ጨንፈር

1ይ ባሕረ ነጋሲ ኣስገዶም። ካብ ዘመነ ደጊያት-ውብ ኣትሒዙ ክሳብ መጀመርያ እዋናት ንግስነት ዮሃንስ ኣመሓዳሪ ሰፍሓ ዝነበረ እዩ። ንሱን፣ከንፈ እተባህለ ሓደ-ወዱን ብትእዛዝ ደጊያት-ሃይሉ እዮም ተቐቲሎም። ብዘይካ'ዚ፡ ሰለስተ-ኣዋልድ እውን ዝወለደ እዩ። ካቢታተን ግን ክልተ እየን ህልዋት 1-ተኸኣ፡ ኣብ ደቕ-ሻሓይ እዩ ሓዳራ። 2- ራህያ ኣብ ሸኮቲ እያ ተቐሪባ።

2ይ-እልመዶም-ብቕድሚ ኣስገዶም ሓው እዩ ሞይቱ። ክልተ ውላድ ወሊዱ፥ ተኸኣ እተባህለት ቀዳመይቲ፡ ኣብ ዓዲ-ፈለስቲ እዩ ሓዳራ። ተሰፋጽዮን ንእተባህለ ዳሕረዋይ እዩ ከም ሕጉ መሰረት እቲ ሹም-ጉልቲ ዝበሃል መዝነት ዝግባእ።

3ይ-እርዓዶም፥ እዚ'ውን ቅድሚ ኣስገዶም ሓው እዩ ሞይቱ። ጋርዛ እተባህለ ሓደ ውላዱ ብቕድም-5 ዓመት እቢሉ ዝሞተ እዩ።5 ውላድ እዮም ሓድጉ፥ 1ይ-ወሊገ-ብር-ንበዝ ወደ 24 ዓመት 2ይ-ግማም/3ይ-ግዳ/4ይ-መዓሾ። ኩሎም መንእሰያት እዮም። መዓሾ፡ ቋንቋ-ጥል-ያን ዝመለኸ ኣብ ባጽዕ ይነ-ብር።

4ይ-ወልዲት ብሕማም እዩ ሞይቱ። ዓንደንኪኤል እተ-ባህለ ሓደ-ውላዱ ኣብ ጣንዳ ከንቲባይ-ተድላ ዓሰኪሩ ዝነ-በረ እዩ። ኣብ ህልዊ-እዋን ኣብ ዓዲ-ፈለስቲ ይነብር

5ይ-ገብሩ፥ብዋግ-ሹም ገብሩ እዩ ወራሲ ኣስገዶም ተባሂሉ ኣብ ምምሕዳር ሰፍሓ ተመ-ሪጹ። እቲ መዝነት፡ ብቕድ-መኡ ወልዲት ንእተባህለ ሓው እዩ ዝግባእ ዝነበረ። እዚ ግን ዝእከል ጥዕና ስለ ዘይነበረ እዩ ምንእሱ ተመ-ሪጹ። ተሰፋጽዮን እተባህለ ወደ-ሓው እውን ብድሕር'ቲ ኣስገዶም እተባህለ ሓወ'ቦኡ ውርሻ ዝግባእ ነበሰ፡ ኣብ ዕሸል ዕድመኡ ብምንባሩ እዩ ገብሩ ተሸይሙ። ገብሩ ብ 1892 ዓ.ም. ብሕማም ኣብ ዝሞተ፡ ሰለስተ ኣዋልድን-ዑቕባ-ጋብር እተባህለ መን-እሰይ ወደ-20 ዓመት ሓዲጉ እዩ ሞይቱ። ዑቕባ-ጋብር ምስ ተሰፋጽዮን እተ-ባህለ ወደ-ሓወ'ቦኡ ይነብር

ካልኣዊ-ጨንፈር

እናንያ ወደ-ተኸሉ

1-ልብሲቃል፥ ተስፋይ እተባህለ ሓደ-ውላድ ገዲፉ እዩ ሞይቱ። ተሰፋይ ግን ከይወለደ እዩ ሞይቱ።

2-እሲቃል፥ ገብረ-ስዘትቲ-መሓሪ-ንጉሰ እተባህሉ ውላድ ሓዲጉ እዩ ሞይቱ። ካብዚኦም ድማ መሓሪ እዩ ንውልቁ ብዘይወቱ ተሪፉ። ኩደኑ ግን ኣብራኹ እተጨበጠን-ውላድ ዘይብሉን እዩ።ስብሀቱ-ንጉሰን እውን ኣይወለዱን።ገብረ ግን ክልተ-ደቂ ዝወለደ እዩ፥ ካለብ እተባህለ ቀዳማይ፡ ኣብ 4ይ-ሓይሊ/4ይ-ቦጦሎኒ ደቀ'ባት ዝዓስከረ ንበዘ። መዓሾ እተባህለ ዳሕረዋይ፡ 10 ዓመት ዝዕድመኡ መን-እሰይ እዩ።

3-ማህደር፥ ብርሃነ እተባህለ ሓደ-ውላድ ወሊዱ እዩ ሞይቱ። ብርሃነ ብግደኡ ክልተ-ደቂ ዝወለደ እዩ፥ 1ይ-ጭሩም፡ ብደገፍ ሓድ-ጉ'ንበሳ፡ጭቃ ዓዲ-ፈለስትን መራሒ ሰፍሓ ክኸውን ተመ ርጹ። 2ይ-እባይ፡ ምስ ሓው ይነብር።

4-ጻምራይ፥ ሰለስተ-ኣዋል-ድን- ወልዱ እተባህለ ወድን ወሊዱ እዩ ሞይቱ። ወልዱ'ውን ዝወለደ እዩ። ዘርኢ ጻምራይ ኣብዚ እዩ ኣብቂዑ።

5-ጆናይ፥ ክልተ-ኣዋልድ ካሕሳይ እተባህለ ወድን ሓዲጉ እዩ ሞይቱ። ደቁ ብ ኩሎም ህልዋት እዮም። ካሕ ሳይ እውን ብግደኡ ኣብ ዕሸሉ ዝርከብ ውላድ ዝወለደ እዩ።

6-ገብረቃል፥ ብካልእ እደ ይውለድ። ንቤተ-ክህነት ስለ እተወፈየ፡ ብዘይካ ውላድ እዩ ሓሊፉ።

ጥብቆ

ሀ)- ሓባብ - ዓድ ሸኽ

ዘርእ-ወለዶ ሓባብ

ሓባብ፡ ካብ መረብ/ምላሽ ተሰዲዶም ዝወጹ ብምዃኖም፡ ምስቶም ኣብኡ ዝነብሩ ህዝብታት ብእተፈላለየ መንገዲ ዝምድናኦም ኣይብተኸኑን። ንዝኸረ ናይዚ ናይ ሓባር መበቆል ድማ፡ ብጽቡቕ መንፈስ ምስ ህዝብታት መረብ/ምላሽ ብመውሰቦ ይራኸቡ እዮም።

ስለ'ዚ ብዛዕባ'ቲ ካብ ከበሳ ዝገበርዎ ሳግመ ኩነ/ኣብ ምስልምና ዝለወጥዎ ሃይማኖትን ዝጠቕስ ባህሊ-ያታኦምን ምፍላጥ፡ ኣገዳሲ እዩ።

ብዛዕባ ካርነሽም ኣብ እተዘርበሉ፡ ዘርኢ-ወለዶ ብእምነት ኣብ ከበሳ ብከመይ ይዝከር ተጠቒሱ ነይሩ። ሓባብ ብወገኖም ብከምዚ ይገልጽዎ፥

ብእምነት

1)- ጓዕዳድ 2)- ኣስገደ 3)- ብሃይላይ 4)- ኣድከመ

ገብረክርስቶስ- ካልኣት ደቁን

ጊዮርጊስ

ስለ'ዚ ብቐሊሉ ከም ዝረኣ፡ስም ናይቶም ጓዕዳድ-ኣስገደ እተባህሉ ክልተ-ደቅ ብእ-ምነት ድኣ እዩ ለውጢ ዘይተገብረሉ እምበር፡ ብሃይላይ ኩነ ኣድከመ፡ ስም ለዊጦም እዮም ዝጥቀሱ። ትርጉም ኣስማት ተኸቲልካ ግና፡ ብሃይላይ ማለት «ኣዝማሪ»/ ኣድከመ ድማ «ዕውት» ክስምዑ ስለ ዝኽእሉ፡ ምናልባት ስዒቡ እተዋህቦም ሳጓ ክይከውን ዝብል ስርወ-ሓሳብ ምኺታል እውን፡ ጉጉይ ኣይከውንን።

ከምኡ'ውን ስም ቦኸር-ውላድ ኣስገደ፡ ኣብ ክንዲ "መዓቶይ" ከም ናይ ካርነሽም፡ ገብረክርስቶስ[1] ኩይኑ እዩ ዝቐርብ ዘሎ። ኣየናይ ምዃኑ እቲ ቅኑዕ ምውሳን ግን፡ ኣሸጋሪ እዩ።

ብቕድም'ቶም ጊዮርጊስ ዝፈረዮም ሰለስተ-ቀቢላ ኣብ ዝነበረ እዋን እተኻየዱ ፍጻሚታትን/ ኣስማት ጥንታውያን-ኣቦታት ብልክዕ ምፍላጥን፡ ንሰብ-ሓባብ ብዝተወ-ከስከዎም፡ ኣብ ሞንጎኦም እውን ብዙሕ ምጥርጣራት ከም ዘሎ ተገንዚብኩ። ወረ'ውን ብሓድ-ሓደ ካብታቶምሲ፡ እቲ ጊዮርጊስ ዝብል ስም ንባዕሉ ዘይርጉጽ እዩ። ገሊኦም ከም ዝኣምንዎ ድማ፡ ጊዮርጊስ ኩነ ሓቢብ፡ ሓደ-ሰብ እዩ ንውልቱ። ከመይሲ፡ መጥመቕ-ስሙ ጊዮርጊስ ክኸውን እንከሎ፡ ርእሰ-ነገድ ዝትርጉሙ ሓቢብ እውን ይበሃል እዩ ይብሉ። ካብዚ እዮም'ውን ህዝቢ-ሓባብ መበቆሎም ዝጽብጽቡ።

---

[1]- ገብረ-ክርስቶስ ማለት፡ ኣገልጋሊ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ትርጉሙ፡ ሃይማኖት ናይቲ ጥንታዊ ኣባሓጎ ንምዝኽኻር እተዋህበ መጸዋዕታ ክይከውን ኣይተርፍን።

እዚ ዳሕረዋይ ርእይቶ ዝያዳ ናብ ሓቂ ገጹ ስለ ዝቐርብ ድማ፡ ኣብኡ እተመርኰሰ ፍቕዲ-ወለዶ ሓባብ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን፥

ኣስገደ

መዓቶይ ወይ ገብረክርስቶስ ምስ ካልኣት ደቕ-ኣስገደ

ጊዮርጊስ ወይ ሓቢብ እተባህለ ርእሰ-ነገድ

መፍለስ ተማርያም

ህብተስ ተኸለስ ገብረስ

«ቤት-ኣስገደ» ወይ «እንዳ-ኣስገደ» ማለት፡ ናይ ሓባር መጸዋዕታ ናይ መላእ'ቲ ሉም ኣብ ክልተ-ወገን ተኸፊሉ ዝርከብ ነገድ እዩ።

ሓዲኦም ኣብ ከበሳ፡ ከባቢ ዓድ-ንፋስ ካርንሽም ይነብር። ካብኡ እዩ'ውን መበቆሉ። እቲ ካልኣይ፡ *ዓድ ህብተስ-ዓድ ተኸለስ-ዓድ ተማርያም-* ኣብ ዝበሃሉ ሰለስተ-ቀቢላ ተኸፊሉ ኣብ ሓባብ ይነብር።

እቶም ኣብ ከበሳ ዝተረፉ " ኣስገደ ": ኣብ ሃይማኖት ክርስትያን-ተዋህዶ ጸኒዖም፡ ኣስማት ናይ ብሸውዓቲኦም «ደቕ-ኣስገደ» ዓቲቦም ይዝክሩ። ንሶም ድማ፥

1)-መዓቶይ 2)-ስሙር 3)-ተስፋው 4)-ጊሸል 5)-ኣድከመ 6)-ቀቢጪን 7)-ብኣምን -ይበሃሉ።

ዘርኢ *መዓቶይ* ኰን *ስሙር* ብምሉኦ ኣብ ሓባብ ይነብር። ዘርኢ'ቶም ዝተረፉ ድማ፡ ኣብ ካርንሽም ብልክዑ'ውን ኣብ ዓድ-ንፋስ ይነብሩ። ዘርኢ ብኣምን ግን፡ ኣሰሩ ጠፊኡ እዩ።

ህዝቢ-ሓባብ ካብ ሰለስተ ወለዶ ኣትሒዙ ብምልኡ ኣብ ሃይማኖት-እስላም ዝኣመነ እዩ። ብኩሎም ሰበኸሳግም ብምኽኖም ድማ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሁጽ-ኣባይቲ፡ ኣብ ኣግነት እዩ መናበሪኦም። ኰይኑ ግን፡ ዓድ ህብተስ ፍላይ ብመንሰ እንኪናበሩ፡ ዓድ-ተኸለስ/ ዓድ-ተማርያም፡ መሸላ ዝእቶቱ ማሕረስ'ውን ይሓርሱ እዮም።

እዞም ሰለስተ-ቃቢለት ዝበሃሉ ሰለስተ-ቀቢላ፡ንሓድ-ሕዶም ርእሶም ክኢሎም'ኒ እንተ ነበሩ፡ ዓድ-ተኸለስ/ ዓድ-ተማርያም፡ ብብዝሒ ህዝቢ ይኹን ብናይ ነገድ-ቦኸሬውነት ዝመጸ፡ ንቀዳምነት ዓድ-ህብተስ ይቕበልዎን ይኣምንሉን እዮም።

ኣብዚ መሰልካ (ናይ ምክልኻል- ውሕስነት ረድኤት ደገፍን ምንዳይ) ብረጽምን-ሓይልን ክተውሕስ እትግደደሉ ሃገር'ዚ፡ ከም ናይ ሓባብ ዝኣመሰለ ልምዲ፡ ዓቢ ኣድንቖት ዝግባእ ተርእዮ እዩ።

ዓድ-ህብተስ፡ ብ *ክንቲባይ*/ዓድ ተኸለስ-ዓድ ተማርያም ድማ ነፍስ-ወከፎም *በዓልገጽ* ብእተባህሉ መራሕቲ እዮም ዝመሓደሩ ነይሮም።

እዚ ከንቲባይ- በዓልገጽ ዝብል መዝነታት፡ ኣብ ሓድ-ሓደ እዋናት ብንጉሰ-ነገስት እዩ ዝፍቀድ ዝነበረ። ካብ ዘመነ ራእሲ ሚካእል-ስሑል ንደሓር ግን፡ በቶም ኣብ ጉማግም-ባሕሪ ልኡላውነቶም ዘረጋገጹ ቱርኪ/ ግብጺ እዩ ዝጸድቕ ነይሩ።

እቲ ንመበቆሎም ዝምልከት ዘመናት፡ ዘይርጉጽን-እተመሓላለኸ ምኽኑን፡ ድሮ ጠቒስናዮ ኣለና። ስለዚ'ውን እቲ ንክንድ'ዚ ዝኣክል ህዝቢ ካብ ዘርኢ-ኣስገደ፡ ከበሳ ለቒቖም ክስደዱ ዘገደደ ምኽንያት፡ ብርግጽ ምፍላጡ ዘይከኣል እዩ።

ሓባብ ከም ዘዘንትውሉ፡ ኣስገደ ኣብ እምባ-ደርሆ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ምስ ሓደ ካብ ደቕ-ሓወ'ቦኡ ብዋንነት ሓደ-ፈረስ ተሰሓሓቡ'ሞ፡ ንዓኡ ቀቲሉ እዩ ከምልጥ ተገዲዱ ይብሉ።

ኣብቲ ዛንታ እናቐጸሉ፡ ንቕድም ኣብ "ሽዕብ" እዩ ተዓቚቡ። ኣብዚ ድማ መራሒ ናይቶም ንበረኻ ወጺኦም ዝሰዓብዎ "ኰብለልቲ" ኰይኑ፡ ንቕድም ን«መንሳዕ» ራሰየ። በዚ ኣቢሉ ድማ ናብቲ ሽው«ባግላ» ወይ«ባክላ» ተባሂሉ ክስመ ዝጸንሐ ሮራ-ኣስገደ ዝርከቡ ህዝቢ«ሓመዳ» ሓለፈ። ነዚኦም ብዝመለኸ ድማ፡ ኣብቲ ክሳብ ዕለት ሎሚ ሓሲሮምሉ ዝነብሩ ናይ ኣገልጋሊ ማሕበራዊ-ደረጃ(ትግረ ወይ ማኪታይ) ወሰኖም። ዘርኡ ግና ኣብ ሞንን'ዞም ህዝቢ፡ ከም ልኡል ወይ ደርቢ-መኳንንቲ ዝፍለጡ ሹማግለ ኰይኖም ገዚኡ።

ኣብ ከበሳ ግና እዚ ርሕቕ-ኢሉ እተኻየደ ፍጻሜታት፡ ሓድ-ሓደ ለውጢ ተገይርሉ ይዝንቶ።

ንሳቶም ከም ዝኣምንዎ፡ ኣስገደ ካብ እምባ-ደርሆ ኣምሊጡ፡ ዓድ-ንፋስ እተባህለ ዓዲ መስረተ። ኣብ ሞንን ደቁ ብዝተላዕለ ነገር እንደገና፡ ሓደ ክፋል ዘርኡ ተሰዲዱ ናብዚ ሎሚ መሬት-ሓባብ ዝበሃል ቦታ ዝመጸ እዩ።

ካብ *መዓቶይ ወይ ገብረክርስቶስ*(ከከም ኣባህላኡ) ኣትሒዙም "ሓባብ" 10 ወለዶ ይጽብጽቡ። ነፍስ-ወከፍ ወለዶ ድማ ብግምት 25 ዓመት ምስ ዝኸውን ዕድመኡ፡ ገምጋም ናይቲ ሓባብ እተሰደደሉ እዋናት ክሳብ'ዚ ዘለናዮ ዓመተ-ምህረት(ማለት 1891 ዓ.ም.) ኣስታት 250 ዓመት ኣቢሉ ምዃኑ እዩ።

ዝሓለፈ ትውልድታት'ዚ፡ ብቀጥታውን/ መስመር ቦኽር-ውላድን ምስ ዝስራዕ ድማ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኣሃዝ ምተኸተለ፥

1)-ገብረ ክርስቶስ ን ጊዮርጊስ ወይ ሓቢብ ወለደ

2)-ሓቢብ ንመፍለስ ወለደ

3)-መፍለስ ን ህብተስ "

4)-ህብተስ ን እዛዝ "

5)-እዛዝ ን ናውድ

6)-ናውድ ን ፍቓቅ "

7)-ፍቓቅ ን ሕዳድ

8)-ሕዳድ ን ሓሰን ወለደ

9)-ሓሰን ን ሓምድ "

10-ሓምድ፡ ንህልዊ መራሒ ዓድ-ህብተስ ን ከንቲባይ-መሓመድ ወለደ።

ከንቲባይ-ሓምድ፡ ብመንግስቲ-ኢጣልያ እዩ ካብ ስልጣኑ ተቐንጢጡ። ንውሱን እዋን ኣብ ኢጣልያ ተኣሲሩ ምስ ጸንሐ፡ ን ዓዱ «እምበረሚ» ብዝተመልሰ ቅድሚ ክልተ-ዓመት ኣቢሉ እዩ ሞይቱ(1889-1890 ዓ.ም.)።

ብ " ከንቲባይ-ሕዳድ " ይመሓደሩ ኣብ ዝነበሩ እዋን እዮም ዓድ-ህብተስ ኣብ ሻውዓይ- ወለዶ ብ "ሸኽ-ዓሊ በዓል እምበረሚ" ኣቢሎም፡ ናብቲ ሓድሽ ሃይማኖት-ምስልምና ኣሚኖም።

ነዚ ሃይማኖታዊ-ለውጥ'ዚ ዝምልከት ያታ ከም ዝገልጾ፥ "ሸኽ-ዓሊ" ብዛዕባ ሃይማኖት እስላም ንምስባኽ ኣብ«ሓባብ» ብዝኸደ፡ሰማዒ ስኢኑ ካብኦም ረሓቐ ይብሃል። ጀሚል-ጃውድ እተባህሉ ክልተ ዋና ተጻረርቲ ካብ ህዝቢ-ሓባብ፡ ኣብቲ ኣምሪሕሉ ዝነበረ መንገዲ-መልሱ ኣርኪቦም ምቕታሉ ወሰኑ። ምእንት'ዚ'ውን ጃውድ ብቕድሚት ቀሪቡ ብዘረባ ከዘንግዮ'ሞ፡ ጀሚል ድማ ብድሕሪት ኣድብዩ ኩናት ወርዊሩ ክቐትሎ እዩ ዝነበረ ስምምዖም። ከም መደቦም ብዝተዳለወ ድማ፡ ጀሚል ኩናት ክውርውር ኣብ ዝበለሉ እዋን፡ እቲ " ሸኽ " ብድሕሪት እውን ዓይኒ ኣውጺኡ፡ ቀው-ኢሉ ይጥምቶ ምንባሩ ብዝረኣየ(ወይ ብዝመሰሎ)፡ ራዕዲ ሓዞ። በዚ ተኣምር'ዚ እውን፡ ኣይኰነንዶ

ንሸኽ-ዓሊ ክቐትሉስ ያኢ፣ ኣብ ምስልምና ኣሚኖም፣ ዝረኣይዎ ተኣምራት ንብምልኡ ሓባብ እናገለጹ፣ ኣብ ምስልምና ከም ዝኣምን ገበርዎ ይበሃል።

እዚ ዕሽላዊ ወይ ክእመን ዘይክእል ያታ፣ ነቲ ሓባብ ሃይማኖቶም ክልውጡ ዝደፍአ ምኽንያት፣ ፈጺሙ ኣይገልጾን።

እቲ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ'ዚ እናጠቐሰ፣ ኣብቲ «መጽናዕታት ብዛዕባ ምብራቕ-ኣፍሪቃ» ዝርእስቱ ጽሑፉ "ቨርነር-ሙዚንገር" ዘቕረቦ ሞጕት እዩ ዝያዳ ተቐባልነት ክህልዎ ዝኽእል። ንሱ ከም ዝብሎ፥

> «....ንሳቶም(ሓባብ)ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ፣ ብባህርያዊ-ሓይሊ ተገዲዶም እዮም። ካብ ዓድ-ሓበሻ ንታሕቲ ገጾም ኣብ ዝወረድሉ እዋናት፣ ሓረስቶት እዮም ዝነበሩ። ኣብዚ ሓድሽ ሃገሮም ድማ እቲ መሬት ንመጓሰ'ምበር ንማሕረስ ከም ዘይጥዕም ተገንዘቡ እሞ፣ ኣብ መጓሰ ተወሰኑ።
>
> እዚ ብኣጻምእ ዝልለ- እሾኽ ዝበቝሎ ሓድሽ መሬቶም ግን፣ ኣግማል ንምርባሕ ኣዝዩ ጥዑም ኰይኑ ረኸብዎ። ክርስትያን ህዝብታት-ሓበሻ ግን፣ ንገመል ስለ ዝጽይኑ፣ "ሓባብ" ብድሕር ብዙሕ ሲጋእ እዮም ኣብ ምስልምና ኣሚኖም።
>
> ከም ሓቂ ድማ፣ ናብዚ ሃይማኖት'ዚ ክብሉ፣ ምዕዶን-ምፍርራሕን ናይባት እውን ኣይተሳእናን።...»

ንዓይ (ደራሲ) ከም ዝመስለኒ፣ እቶም ነዚ መደብ'ዚ ክዕወት ዝሓገዙ ረቛሒታት፥ ብሓደ ወገን እቲ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ክፍለ-ዘመን ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝሰፈነ ፋሉልነት ክኸውን እንከሎ መበገሲኡ፣ በቲ ሓደ ድማ፣ ምምስራት ግብጻዊ-መንግስቲ ኣብ ሱዳን ኰነ ኣብ ምሉእ ምዕራባዊ-ገማግም ቀይሕ ባሕሪ እዮም ዓቢ ግደ ተጻዊቶም።

***

ኣብ ሞንጎ ህዝቢ-ሓባብ ሉሚ ተሰትዩ ዝተረፈ ካብ ባሕሪ ዝመጸ(ዓረብ ?) ካልእ ህዝቢ እውን ይነብር። እዞም ህዝቢ እዚኣም'ውን ልክዕ ከም'ቶም ካብ መጀመርያ እዋናት ኣብ ሮራ-ኣስገደ ዝነበሩ "ህዝቢ-ሓመዳ"፣ ኣብ ናይ ኣገልገልቲ ማሕበራዊ-ደረጃ(ትግረ) እዩ መናበሪኦም።

ዓድ ሸኽ

ምስ "ሓባብ" ሓቢሮም፣ ኰይኖ ግን ከይተሓናፈጹ ዝነብሩ«ዓድ-ሸኽ» እተባህሉ ካልእ ህዝቢ እውን ይነብሩ።

ዓድ-ሸኽ፣ ነቶም ኣብ "እምበረሚ" እተባህለ ግዙፍ ቁሸት ዝነብሩን/ ነቶም ርቡሕ-ጥሪት ሒዞም ብሓጋይ ኣብ "ኣፍዓበት" ምስ ህዝቢ ዓድ-ተማርያም፣ ብክረምቲ ድማ ኣብ "ገለብ-ሳግላ" ምስ ህዝቢ ዓድ-ሀብተስ ኣሳጊሞም ዝነብሩ ህዝብን የጠቓልል።

እዚ ካብ ገማግም ሃገር-ዓረብ ዝመጸ ህዝቢ እዩ ብስብከቱ፣ ነቲ ኣብ ህዝቢ-ሓባብ/ በጅዩክ- ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋን ድማ፣ ኣብ ከባቢ ከረን ዝርከቡ ህዝብታት ዘስፋሕፍሐ ሃይማኖት-ምስልምና ክሰራጮ ደጊፉ።

ዝርኢ-ወለዶ ናይዞም «ሸኽ» ተባሂሎም፣ ሓላፍነት ወሲዶም፣ ሃይማኖታዊ-ተልእኾኦም ኣብ ኤርትራ ተቐባልነት ረኺቡ፣ ክብርን-ሃብትን ክድልቡ ዝኸኣሉ መራሕቲ ናይዚ እንዳ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

ንፍዖታል፣ ካብ ጅዳ መጺኡ፣ ኣብ ገለብ-ሳግላ እዩ ሞይቱ።

ሸኽ-ሓምድ፣

ሸኽ-ኣልኣሚን፣ ኣብ ርሒብ (ሓባብ) ዝሞተ።

ሸኽ-ዓሊ፥ እቲ ን ሓባብ ኣብ ምስልምና ዘእመነ ሸኽ እዩ። ኣብ ጠቕራ(ዓድ-ህብተስ) እዩ ሞይቱ።

ሸኽ-መሓመድ፥ ብህዝቢ ዝእመን ብጹእ እዩ። ኣብ እምበረሚ ዝርከብ መቓብሩ፥ ኑቶም ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ እስላም፥ ናይ ንግደት ቦታ እዩ።

ሸኽ-መሓመድ፥ ሸድሽተ-ደቂ ወለደ፦

ሸኽ-ዑመር፥ ሞይቱ እዩ።

መሓመድ-ዑስማን፥ ኣብ ሕጡምሎ እዩ ናብሩ። ኣብ ጸዓቲ- ሳባርጉማ- ጊንዳዕ- ተማርያም- ብዙሕ ጥሪት ከብቲ ይውንን።

ዓብደልቃድር፥ ኣብ ጥቓ መቓብር-ኣቦኡ ኣብ እምበረሚ ይነብር።

ማሊኩ- ሑመድ- ያሲን፥ ምስ ደቅ-ኣሕዋቶም ኣብ ሓባብ ኣሳጊሞም ይነብሩ። ምሳኣም ሓቢሮም፥ ደቅ ሸኽ-ዑመር እውን ይርከብዎም። ንሳቶም ድማ፦

ሸኽ-ኣልኣሚን፥ ህልዊ-መራሒ ዓድ ሸኽ።

ዓሊ።

እብራሂም።

ማሕሙድ ይበሃሉ።

"ሸኽ-መሓመድ"፥ ብቕድሚ 14 ዓመት ኣቢሉ እዩ ሞይቱ(ብ 1877 ዓ.ም. ኣቢሉ)። ጽልዋኡ ብሓቂ ዓቢ እዩ ዝነበረ። ሃይማኖት ብዘየገድስ፡ቦቲ ኣብ ልዕል-ስኡናት ዝነበሮ ርህራሄ- ምጽወታን፥ ብኩሎም ክቢሩን/ ዕርክነት-ኣድንቖትን ዘትረፈ እዩ።

ከንቲባይ-ስባሁቱ በዓል ካርነሽም እውን፥ ብርክት ዝበለ ህያባት ግንዘብ-ጥሪት ከብትን ይልእኩሉ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ኣብ ሞንጎ'ዞም ክልተ-እንዳታት ዘሎ ዕርክነት እውን፥ ካብኡ ዝጀመረ እዩ።

ዓድ-ሸኽ ከም "ቅዱሳን" ስለ ዝኽብሩ፡ንለውጢ ናይ ዝገብርዎ ጸሎት-ቅዳሴን፥ ብህዝቢ ሓባብ ህያባት ይግበረሎም እዩ።

ሓባብ፥ ብጽልዋ ሃይማኖት-ምስልምና ኮይኑ- ምስ ዓረባዊ ባእታ ብዘለዎም ርክብ፥ ደጊም ኑቲ ንጹር ኢትዮጵያዊ-መበቆሎም ኣብ ምርሳዕ ይርከቡ።

***

ለ)- ብንዓምር/ ኣብ ምብራቕ-ሱዳን ዝርከቡ ካልኣት ህዝብታት-ኣግኣዚ

ነዞም ህዝብታት ዝምልከት ብኣይ እተዳለወ መጽናዕትን-እተረኽበ ሓበሬታን፥ ብናይ ወጻኢ-ሚኒስተር ተሓቲሙ ዝወጸ ሓደ ወግዓዊ-መዘክር ንምድላው ዘገልገለ እዩ። ስለ'ዚ እውን ኣብ ዝኸተል ጽሑፍ ዝቐርቡ ሓበሬታ፥ ንህዝብና ኮይኑ- ኑቶም ጉዳይ ማዝእትና ብፍቕሪ ዝከታተሉ ውልቀታት፥ ሓድሽ ነገር ኣይከውንን።

ብንዓምር

ክም ዝፍለጥ፡ ህዝቢ-ብንዓምር ኣብ ክልተ-ደርቢ እተኸፍለ እዩ። ልኡላን/ሓፋሽ ህዝብን፡ ክም ባህሪኡ። እቶም ልኡላን፡ «ነብታብ» ወይ ሹማግለ ዝበሃሉ፡ ካብ ነገድ-ጅዓሊን እዮም። ብረጽሚ እዮም ድማ ነቶም ኣብ ጉላጉል-ባርካ ኣሳጊሮም ብመንሰ ዝነብሩ ቀቢላታት መሊኾም።

እቶም " ትግረ " ዝበሃሉ ሓፋሽ-ህዝቢ፡ ሓደ-ክፋሎም «ሃደንደዋ»፡ እቲ ካልኣይ-ክፋሎም ድማ «ግእዝ» እዩ መበቆሎም።

እቶም ቀዳሞት፡ ብታሕተዋይ-ጋሽ ካብ ሰሜን ዝመጹ ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ዳሕረዎት፡ ብዝተፈላለዩ ጨናፍር ፈለግ-ባርካ ተመሪሖም፡ ካብ ደቡብ ዝመጹ እዮም።

ሃደንደዋ ዘዘውትርዎ ቋንቋ «ቶ-በደዊ» ይበሃል። እቶም ኣግኣዚ ግን፡ ክም ማርያ-ሓባብ- ህዝቢ ባጽዕ- ሰምሃር፡ «ትግረ» እዩ ቋንቋኦም። ኮይኑ ግና፡ እቲ ንሶም ዘዘውትርዎ ቋንቋ-ትግረ፡ ሕውስዋስ እዩ።

ንልኡላን ቤተ-ሰብ ብንዓምር ክፍለጠሎም ዝግባእ ሓደ ብልጫ፡ ንክምዚ ዝኣመሰሉ እተፈላለዩ ባእታ ጠርኒፎም-ወዲቦም-ሓደ ማሕበራዊ ቅዋም ሰሪዮም፡ሓደ ህዝቢ ክገብ-ርዎም ብምኽኣሎም፡ ብቐሊሉ ዘይግመት እዩ። ብዝተረፈ፡ ብልሓት- ባህሊ- ትብዓት ንዝምልከት፡ ፍሉይ-ኣድንቖት ዝግብኦም ክብርታት ኣለዎም ክበሃል ኣይከኣልን። ክሳብ ዕለት-ሎም'ውን ከመይ ኣቢሎም ልኡል-ዓብላሊ ደርቢ ክኾኑ ክም ዝኸኣሉን/ ነዚ ድማ ከመይ'ሎም ክም ዝዓቀብዎን ምፍላጥ፡ ኣሸጋሪ እዩ።

ዝለዓለ ኣገዳስነትን-ዝያዳ ክብርን ዝግብኦም ግና፡ እቶም ሓፋሽ-ህዝቢ እዮም። ስለ'ዚ ድማ ካባታቶም መበቆል " ሃደንደዋ " ካብ መደብ-ዕዮ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ስለ ዝርሕቐ፡ ብዛዕባ'ቶም " ግእዝ " ዝመበቆሎም ህዝብታት እዩ'ቲ ዝቕጽል መጽናዕቲ፥

1- ላብያ

ኣብ ሓማሲን እዩ መበቆሎም፡ ብልክዑ'ውን ኣብ ሃዘጋ። ኣብ ክልተ-እንዳታት ይኽፈሉ፥

ሀ)-ላል ረየ፡ ኣብ ዓድ-እኩድ ዝነብሩ-

ለ)-ዓድ ኩኩይ፡ ኣብ " ድጎ " (ናይ ድግላል ልኡል መራሒ ብንዓምር ዋና-መደበር) ዝነብሩ።

2- ኣወዳብ

ካብ " ሓጋር " ማለት ኣብ ሞንን ዓንሰባ-ተኾር ዝርከብ ቦታ ዝመጹ እዮም። ኣብ እተፈላለዩ ጉጅለታት ብንዓምር ፋሕ ኢሎም ድማ ይነብሩ።

3- ዓድ ሓሻል

ኣብ ሓማሲን እዩ መበቆሎም። ካብኡ ተሰዲዶም ንሶም'ውን ኣብ " ሓጋር " እዮም ቄይሞም። እዚኦም'ውን ኣብ ውሽጢ ብንዓምር ፋሕ ዝበሉ እዮም። ፍቕዶም ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

4- ዓድ ቀይሕ

ካብ ዓድ-ሓበሻ መጺኦም ንቕድም ኣብ ሓባብ እዮም ነቢሮም። እዚኦም'ውን ኣብ ብንዓምር እተዘረው እዮም።

5- ጃራባር

ዓድ-ሓበሻ እዩ መበቆሎም። ኣብ ብንዓምር ሰሪቶም፡ ምስ'ቶም "ኣል-ረያ" እተባህሉ፡ ተሓናፊጾም ይነብሩ።

6-ዓድ-ቢደል

ካብ ዓድ-ቢደል ሓማሴን ኣብ ቀረባ ወለዶ ብ ባርካ ኣቢሎም ዝወረዱ እዮም። ምስ ህዝቢ መበቆላዊ-ዓዶም ዛጊት ጽኑቕ ዝምድና-እንግዶትን የዘውትሩ። ናይ "ድግላል" መዝነት'ኳ እንተተቐበሉ፡ክም ፍሉይ ጉጅለ መጠን፡ ብዘይካ "ሹማግለ" እዮም ዝነብሩ።

ብደቡብ ምስ "ባዛ" እናተዳወቡ፡ ኣብ ሞንጎ ወሓዚ-ሞንሱራ/ፈለግ-ባርካ ይነብሩ። ፍቕዶም፡ ሉሚ ኣዝዩ ተዋሒዱ እዩ።

ኣልገደን

ካብ እተፈላለየ ቦታ ዝመጹ ህዝብታት -ፋንጂ -ሽኮርያ -ባዛ -ባርያ -ሓፈራ -ዶንጐላይ -እዮም ነዚ ቀቢላ'ዚ ኣቝሞም። ኣብ ኩሎም ምሕዝነት ሰፈኑ፡ ምስቲ ኣብኡ ዝጸንሔ ጥንታዊ ናይ "ግእዝ" ባእታ፡ ፈጺሞም ተወሃሂዶም እዮም። ካብ'ዚ እዮም'ውን ቋንቋ ሰኒቖም ብኹሎም "ትግረ" ዘዘውትሩ። ቅውም መናበሪኦም "ኣል-ኣዳል" ኣብ እተባህለ ቦታ እዩ።

ሰብ-ዳራት

መበቆል ናይዚ «ሰብ-ዳራት» ዝብል ስም፡ ብክልተ-ቃላት ዝቖመ እዩ። ሰብ/ዳራ። "ዳራ" ማለት፡ ስም ናይ ሓደ ምስ ፈለግ-ዓንሰባ ዝጽምበር ኣብ "ማርያ" ዝርከብ ወሓዚ እዩ። ኣብ ገማግሙ እዩ'ውን ጥንታዊ መናበሪኦም ዝነበረ።

ሰብ-ዳራ፡ «ሸረፍ» ብዝበሃሉ መራሕቲ ይመሓደሩ። ሸረፍ፡ ካብ ዘርኢ እንዳ ነቢይ መሓመድ ምዃኖም ስለ ዝኣመኑ፡ ካብ «መካ» ዝመጹ/ ምስ "ዓድ-የምራን" እውን ይዛመዱ እዮም ይበሃል።

ሰብ-ዳራት፡ ብወለንታኦም እዮም በዞም« ሸረፍ»ክመሓደሩ መሪጾም። ኣቐዲሙ ሃይማ-ኖታዊ-ስምዒት/ ቀጺሉ ድማ፡ እቲ ብደገፍ ሰበ-ስልጣን ግብጺ ዝፍቀደሎም ዝነበረ ፖሊቲካዊ-ጥቕሚ እዩ ናብዚ ደሪኹዎም። ብምሕዝነት- ስኒት ይነብሩ።

ብቕድም'ቲ ናይ«ማሕዳውያን»ምልዓል ዘሎ እዋን፡ ኣብ ሕሉም(ዓንቀር)ሰብ-ዳራት ነፍስ-ወከፎም ፊት-ንፊት ዝግመቱ ቁሸት ነበሮም። እቲ ቁሸታቶም ኣብ ጸግዒ ናይቲ ሕሉም ተሃኒጹ-ኣብ ክውሒ በረኸቲ ተጸጊዑ፡ በቲ "ፍታች" እተባህለ ወሓዚ ይፈላለ።

ምንም'ኳ እዚ ወሓዚ ኣብቲ ቦታ፡ 300 ሜትሮ ዝኣክል ስፍሓት ሃልዩዎ እንተ ኸፋ-ፈሎም፡ ኣሉ ብዘይብሃሎ ስኒት ሓቢሮም፡ብዝጸንሑን-ዘሎን ናይ መውስቦ ባህሊ፡ ብደም እውን ይተኣሳሰሩ እዮም።

«ሕሉም ሰብ-ዳራት»ዓዲ ወታሃደራዊ ኣገዳስነት ብምህላው፡ ህዝብታቱ ኣንጻር ድርቡሽ እውን ከይተረፈ ብዘደንቕ ጅግንነት ክከላኸሉ በቒዖም እዮም።

ዓሊ-ኦሪን እተባህለ «ሸረፍ»[2] እዩ መራሒ ናይቲ ቀቢላ። ብኩሎም ድማ "ትግረ" እዩ ቋንቋኦም።

---

[2]- ሸረፍ ብንጹል፡ ናይ ብዙሃን ሸረፍ/ ኣብ እስላማዊ-ዓለም፡ ን "ዘርኢ እንዳ-መሓመድ" ዝምልከት ናይ ክብሪ-ቃል እዩ። ስለዚ'ውን ብተኸተልቲ-ሃይማኖቶም፡ ብዙሕ ኣኽብሮት-ይግበረሎም። ካብ ተራ-ህዝቢ ዝፈልዮም ምልክት ድማ፡ እቲ ብፍላይ ንዓኦም ዝፍቀድ ቀጠ-ልያ-መጠምጠምያ እዩ።

ሓለንጋ

ካብ " ደምበላስ " (ደቃ-ተስፋ) ዝመጹ እዮም። ጥንታዊ መሰረት «ሀዝቢ-ከሰላ» እውን " ሓለንጋ " እዩ መበቆሉ። ስዒቡ እዩ ኣብ ከባቢኦም፣ እቶም ካብ እተፈላለየ ክፍለ-ወገናት ሱዳን ዝመጹ ባእታታት በብጉጅለኦም ኣብቲ ቦታ ክውደቡ ጀሚሮም።

ሎም'ውን እንተኾነ ከም ፍቕዲ፣ ኣብ ከተማ-ከሰላ፣ ሓለንጋ እዮም ዓብላሊ ቍጽሪ። ዘዘውትርዎ ቋንቋ፣ " ትግረ " እዩ።

ፖሊቲካዊ-ሓድነት ናይቶም ኣብ ጥንታዊ ምድረ-ባሕሪ ዝነብሩ «ህዝብታት-ኣግኣዚ»፣ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ-ኢጣልያ እዩ እንደገና ተደላዲሉ። እዚ ድማ ብወርሒ ሓምለ 1894 ዓ.ም. እዩ መፈጸምታ ተገይርሉ። ኢጣልያ ከተማ-ከሰላ ብዝሓዘ።

ብድሕር'ቲ ፍጻሜ'ቲ፣ ልኡላን ቤተ-ሰብ ሓለንጋ ብወግዓዊ-ክብሪ ን " ሻለቃ-ጉርጃ " (ዩሽባሺ 2ይ-ሓይሊ/ 4ይ-ቦጦሎኒ ደቀ'ባት) ክበጽሑ መጹ። ኣብቲ ኢጋጣሚ ድማ፥ ኵይኑ ድእ ብሃይማኖታዊ-እምነት ይፈለዩ እምበር፣ ንሰም እውን «ኣግኣዝያን» ምዃኖም ኣዘኻኺሮም- ሕሉፍ ዝምድናዊ ምትእስሳርም ኣመጒሶም- ንመጻኢ እውን ሓድሽ ርክባት እናተመነዩ፣ ንጹህ-ምሕዝነቶም ገለጽሉ።

ብንዓምር/እልገደን/ሰብ ዳራት/ሓለንጋ፣ ብምሉኣቶም ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ እዮም።

****

ሐ)-እንዳ ደጊያት ገብረመድህን በዓል-ኸኽስዓ

ኣይተ ገብረጻዲቕ(1)- ወ/ሮ ለተ ተኸለ(2)

ራእሲ-ባርያው(3)

1)-ወይዘሮ ብሪቱ(4) 2)-ደጊያት ገብረመድህን(5) 3)-ወ/ሮ ኣበራሽ(6)

1)-ሃይለማርያም(7) 2)-ጥሩ(8) 3)-የሩሳሌም(9)

1)-ኣይተ ገብረጻዲቕ፣ ናይቲ ኣብ«ሸረ» ዝርከብ "ዓድ'ዝማቲ-ረዳ" እተባህለ ጉልቲ ብውርሻ ዝመጸ ኣመሓዳሪ እዩ። "ዓድ ነኽስ-ኣድጊ" ኣብ ዝበሃል ርእሰ-ከተማ ናይዚ ወረዳ እዩ ድማ መናበሪኡ ዝነበረ።

ብተባዕታይ መስመር-ትውልዲ፣ ምስ እንዳ ራእሲ ሚካኤል-ስሑል ዝዛመድ ክቡር እንዳ ይውለድ።

2)-በዓልቲ-ቤቱ ወይዘሮ ለተ-ተኸለ፣ ቦኽር-ጓል ናይቲ መሪሕነት-ኸኽስዓ ብትውልዲ ዝብጽሖ "ኣይተ-ምሕጹን" እያ።

ኣብቲ ክሳብ ዕለት ሎሚ ተሳኢሉ ዝቐርብ ናይ ጆግራፍ-ካርታታት(ማፓ=ማፕ)፣ ኸኽስዓ «በዐሳ» ብዝብል ስም እዩ ዝፍለጥ ነይሩ። በዐሳ ክበሃል እንከሎ ግን፣ በዞም ስዒቦም ዝቐርቡ ዶባት እተሓጽረ ፍሉይ መሬት እዩ፥

ብደቡብ -"ብእምባ-ግርሁ"ሓሊፉ ሽኽስዓ ካብ ዳዕሮ-ተኸለ ዝፈሊ ኣጸቢቑ ጸይተነጸረ መስመር።

ብምዕራብ -የማናዊ ጎማግም ወሓዚ ማይ-ምኽን።

ብሰሜን -ጸጋማዊ ክንፈ መረብን/ ማይ ምኸዓው-ማይ ጉያ፣ እተባህሉ ወሓይዛት ዝራኸብሉ ቦታን።

ብምብራቕ ድማ፣ ብጸጋማዊ ክንፈ ማይ-ጉያን/ ብምብራቓዊ-ደቡብ መጺኡ ዝጽምበሮ ሓደ ንኡስ-ወሓዝን ተተሓሒዞም፣ ክሳብ'ቲ እተጠቕሰ ሽኽስዓ ካብ ዳዕሮ-ተኸለ ዝፈሊ ዘይንጹር መስመር ዝራኸቡን ብሓባር ምስ ተጓዕዙ፣ ዝርከብ ክፍለ-መሬት እዩ በዐሳ ዝበሃል።

ሰዒቦም ዝቐርቡ ሓበሬታ ብዝያዳ መታን ክበርሁ፣ ኣባታዊ-ትውልዲ ወ/ሮ ለተ-ተኸለ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

ኣይተ-ዓንዱ

- 1)-ኣይተ ምሕጹን
  - 1)-*ወይዘሮ ለተ-ተኸለ* 2)-ኣይተ ወልደሩፋኤል 3)-ኣይተ በርደግ 4)-ወ/ሮ ትርንጎ 5)-ኣይተ-ንጉሰ 6)-ወ/ሮ ሳህላ 7)-ወ/ሮ ሰሂን።
- 2)-ኣይተ እምሃ
  - 1)-ወልደ ሳሙኤል 2)-ወልደሚካኤል 3)-ስሉመ 4)ወዓለት ሩፋኤል።
  - ወልደ ሳሙኤል- ን *ስራዊል* ወለደ፣ ስራዊል ድማ ንፈትወራሪ ኣይሎን-ኢጎ ዩሸባሺ ኣብ 4ይ-ቦጦሎኒ ደቀ'ባት ዝወለደ እዩ።

ምሕጹን- ኣይተ እምሃ፡ እተባህሉ ክልተ-ኣሕዋት ብፍቕርን-ስኒት ብሓባር ይነብሩ። ኣብ ዓዲ ዝነበሮም መዝነት እውን፣ ብሓባር እዮም ክመሓድርዎ ጸኒሖም።

3)-*ወይዘሮ ለተ-ተኸለ፡* ንራእሲ-ባርያው ነፍሰ-ጾር ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፣ ካብ ዓድ ነኻስ-ኣድጊ እተባህለ ዓዲ በዓል-ቤታ፣ ን "እምባ-በዐሳ" ንሕርሲ ኣልዒላ ናብ ኣዲኣ መጸት። ባርያው፣ ኣብኡ ተወሊዱ ጥራሕ ዘይኮነ/ ዝበዝሐ ዕድመ ንእስነቱ፣ ኣብ *ሽኽስዓ* እዩ ሓሊፍዎ። ኣዲኡ እያ'ውን ብፍቓድ በዓል-ቤታ ወትሩ ናብኡ ወሲዳ፣ ነዊሕ-እዋን ኣብኡ ተጽንሖ ዝነበረት።

እቦኡ ወላዲኡ፣ ብቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ትግራይ ሰፊኑ ዝነበረ ሓደጋ-ፋሉልነት ስለ ዘይተኣማመነ፣ ኣስጋኢ ኣብ ዝበሎ እዋናት፣ ቤተ-ሰቡ ኣብ ሽኽስዓ ክጸንሑ፣ ሕጉስ እዩ ዝነበረ። ምኽንያቱ፣ እዚ ዓድ'ዚ፣ ስሙርን-ሓያል ኣብ ርእሲ ምንባሩ፣ምስ ዓድታት መረብ/ምላሽ እውን ጽቡቕ-ዝምድና ዝጸንሖ እዩ።

ባርያው፣ ድልዱል- መስተውዓልን ኰይኑ ይዓቢ ብምንባሩ፣ትስፍው መጻኢ ከም ዝነበሮ ተረዲኦም፣ በቶም ቀጽሮም ብርኸት ዝበለ ስድራ-ቤት ኣዲኡ፣ ተመራጺ ውላድ እዩ ዝነበረ።

ወታሃደርን-ተኸታል ተድሮስ ኰይኑ፣ ኣብ ኩሉ'ቲ ንግስነት-ኢትዮጵያ እንደገና ንምህናጽ እተፈተነ ፍጻሜታት ተሳተፈ። ምእንት'ዚ'ውን፣ "ኣዝማቲ" ዝብል ሽመት ተሰለመ።

እኖሓጎኡ ኣይተ-ምሕጹን ብዝሞተ ድማ፣ብተድሮስ መራሒ-ሽኽስዓ ክኸውን ተመርጸ። እዚ ድማ ብቲ ዓዲ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ብፍቓድ-ታሕጓሰን ናይቶም ውርሻ ዝግቦኦም ኣኮታቱ ተቐባልነት ዝነበሮ እዩ።

ስዒቡ፡ ደጋፊ ንጉስ ኰይኑ ብዘካየዶ ስርሒታት/ ኣብ ንጉስ ብዝነበሮ እምነት/ ብዝደለየ ሃብቲ ይኹን/ ምስ መራሕቲ-ሰራዊ ብዝመስረቶ ዝምድና(ኣብ ሰራዊ፡ ኣብ ከባቢ ዓድ-ገና፡ ዓድልገስ እተባህለ ዓዲ፡ ዋንነቱ እዩ ዝነበረ)/ ብዘይካ'ዚ፡ ምስቲ ሓያል ስድራ እንዳ ኣዝማቲ-ዑቕቢት ብዝነበሮ ምትእስሳርን፡ ሓበን ቤተ-ሰቡ ኰይኑ ተረኽበ።

ተድሮስ ብዝሞተ፡ ባርያው ንቕድም ተጻራሪ ካሳ እዩ ዝነበረ። ወንን ተኸለ-ጊዮርጊስ[3] ኰይኑ ድማ እንጻሩ ተሳዕለ። ተኸለጊዮርጊስ ብዝተሳዕረ፡ ምስ "ካሳ" ኣብ ምሕዝነታዊ-ስምምዕ በጺሑ ግና፡ ከሳብ'ቲ ብስም "ዮሃንስ" ንግስነታዊ-ዝፋን ዝሓዘሉ እዋናት፡ ደጋፊኡ ኰነ።

ንናይ'ዚ ለውጥን፡ ብፍላይ ድማ እንጻር ራእሲ-ኣበራ ወድ ተኸለጊዮርጊስ ተዋጊኡ-ስዒሩ- ማሪኹ- ንዮሃንስ ስለ ዘስተለመ "ደጊያት" ዝብል ሽመት ተዋህበ።

ንከብሪ-ቅንዕና ባርያው ዘዘኻኽር፡ እዚ ዝስዕብ ዛንታ ይንገር። ምስ ሃጸይ-ተኸለጊዮርጊስ ተሰሊፉ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፡ እንጻር ዮሃንስ ኣብ እተኻየደ ሓደ-ግጥም፡ ባርያው ሓደ-ዓይኑ ተሃሪሙ ፈሲሱ እዩ ዝነበረ። ምስ ዮሃንስ ዕርቂ ንምግባር ኣብ ቅድመኡ ብዝቐረበ፡ ከምዚ'ሉ ተዛረበ፥

«.. ኣባልኩም ክኸውን፡ ብዙሕ ዘኸስበኩም ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ድማ፡ በዓል ሓደ-ዓይኒ እየ። ንዓኹም ንምግልጋል ግን፡ ዝተረፈት ዓይነይ ከወፊ ድልዊ እየ.. » ቢሉ ቀረበ ይበሃል።

ኣብቲ ዝሰዓበ እዋናት፡ ንጉስ-ዮሃንስ "ራእሲ-ትግራይ" ዝብል ሽመት ሰለሞ።

በዚ መዝነት'ዚ እዩ'ውን ንራእሲ-ወልደሚካኤል ከመልኽ-ከቕጽዕን ንሓማሴን ተላኢኹ። ብእንጻሩ ግና፡ ኣብቲ ብ ወርሒ መጋቢት 1878 ዓ.ም. ኣብ ከባቢ ካምፖ-ቺንታቶ ኣስመራ(ኮምብሽታቶ) እተኻየደ ውግእ፡ ራእሲ-ባርያው ተሳዒሩ ተቐትለ።

ከምዚ'ሉ ድማ ካብቲ ዝተመባጽየ ንሳዕሊ፡ ህይወቱ ኣወፍዩ፡ ባርያው ምስጋና-እምነቱን ዘመስከረ እዩ።

4)-*ወይዘሮ ብሪቱ፡* ቦኸር-ጓል ራእሲ ባርያው እያ። ወልደ-ንጉስ ምስ እተባህለ ፊትወራሪ- ሰራዊት ንጉስ ዮሃንስ ተዋሲባ፡ ኣብ ህልዊ-እዋን(ሽዑ) ምስ በዓል-ቤታ ኣብ "ግራልማ" ትነብር።

5)-*ገብረመድህን፡* ንውልቂ ሓደ-ወዲ ባርያው ዝወለዶ ብምኳኑ፡ ምምሕዳር-ሽኸስዓ ወረሱ ብንጉስ እተፈልጠሉ እዩ።

ምስ ኣቦኡ ሓቢሩ ኣብ ጉዳ-ጉዲ ኰነ ኣብ ኩናት ጉራዕ፡ብትብዓት ተዋጊኡ ብምንባሩ፡ ብንጉስ-ዮሃንስ "ደጊያት" ዝብል ሽመት ዝለበሰ እዩ።

ሰራዊት-ሓበሻ እንጻር ኢጣልያ ኩቲቱ ን«ጸዓቲ» ኣብ ዝገስገሰሉ፡ ገብረመድህን እውን ምሳኦም እዩ ወፊሩ። ብሕማም ተገዲዱ ግና፡ ኣብ ዓድ-ንፋስ እዩ ጸኒሑ።

ምስ ራእሲ-ኣሉላ ኣይሳነዩን ዝነበሩ። መንቀሊኡ ድማ፡ ቅንኢ ናይቲ ራእሲ-ትግራይ ዝብል መዝነት፡ ንኣሉላ ስለ እተፈቕደ እዩ። ብርእይቶኡ፡ ንምስጋና ኣገልግሎት ኣቦኡ ኰነ/ ልኡላዊ-ትውልዱ/ ዘመስከሮን ብቕዓት/፡ንዓኡ ንገብረመድህን እዩ እቲ መዝነት ዝግባእ።

ንራእሲ-ኣሉላ ብንዕቶት ከኣእስ፡ ትሑት-ትውልዱ እናዘኻኸረ፡ወትሩ ሓረስታይ እናበለ ይጠቕሶ።

ብ ወርሒ ጥሪ 1890 ዓ.ም. ኢጣልያ ንዓድዋ ኣብ እተበገሰሉ፡ ገብረመድህን ምስ ኩሎም ሰዓብቱ ኣባና(ኢጣልያ) ተጸምበረ። ምስ ደጊያት ሓድጉ'ንበሳ ሓቢሩ፡ ብስም ኢጣልያ ድማ ጭፍራኡ ንሓለዋ ኣወፍዩ፡ ን "እንዳኣሊ" እተባህለ ኢጣልያዊ-መኰንን ኣሰንዮም፡ ኣብ ሓውዜን ምስ ምንሊክ እተገብረ ርክብ ዝዓጀቡ እዮም።

[3]- ስዒቡ ሃጸይ-ተኸለጊዮርጊስ እተባህለ ናይ ዋግ-ሹም ጎባሲ፡ ሓው ዋግ-ሹም ተሩ ህልዊ-መራሒ ላስታ እዩ። ራእሲ-ኣበራ እተባህለ ወድ-ሃጸይ ተኸለጊዮርጊስ፡ ኣብ ህልዊ-እዋን፡ ኣብ ላስታ ምስ'ዚ ብሩ እተባህለ ሓው'ቦኡ ይነብር።

ካብዚ ዕውት ተልእኮ ብዝተመልሰ፡ደጊያት-ገብረመድህን ምስ ተኸተልቱ፡ ከም ቅድመ-ማንባር ኣብ ሓለዋ-መረብ ተመደበ። ቦታኡ ኣብቲ ብዝኣክል ጥበብ-ህንደሳ ብ "ኮሎንሎ ኣይራጊ" ኣብ ማይ-ምኒን እተሃንጸ ዕርዲ እዩ ዝነበረ። ክሳብ'ቲ ርክብና(ኢጣልያ) ምስ ራእሲታት-ትግራይ እተንጸረሉ እዋናት'ውን፡ ኣብኡ ጸንሐ።

ኣብ ኣዋርሕ ክረምቲ 1890-1891 ዓ.ም. ኣብ ኣስመራ እዩ ሞይቱ። ከም ዝበሃል እውን፡ ብዓሚ። ምኽንያቱ ድማ ብጽቡቕ-ፍቓዱ ኩሉም ሰዓብቱ ኣኸቲሉ፡ ብገዛእ ብረቱ ኣባና ተጸምቢሩን- ኣገደስቲ ዝበሃሉ ኣገልግሎት ኣወፍዩ ከብቅዕ፡ ብኢጣልያ ብረቱ ከውርድ ስለ እተገደደ እዩ፡ ሕማም ሓዲርዎ።

ጠባዩ ሁዱእ/ ቅኑዕ-መስተውዓልን፡ ኣብ ዓዱ ድማ በዓል-መዝነት እዩ ዝነበረ።

6)-*ወይዘሮ ኣበራሽ*፡ በዓልቲ-ቤት ዋግ ሹም ገብሩ በዓል-ላስታ እያ። ኣብ'ቶም ስዒቦም ኣብ ኢትዮጵያ እተኻየዱ ፍጻሜታት፡ ዋግ-ሹም ገብሩ ዓቢ ተራ ዝነበሮ እዩ።

7)-*ሃይለ-ማርያም*፡ መንእሰይ ወድ 12-13 ዓመት እዩ። ብመንግስቲ-ኢጣልያ 80 ሊረ ንወርሒ ሓገዝ ተፈቒድሉ፡ ኣብ ኣስመራ ይነብር።

8)-ህጻን ጓል 8-9 ዓመት ምስ ወ/ሮ-ብሪቱ እተባህለት ኣሞኣ ኣብ "ግራልጣ" ትነብር።

9)-ገብረመድህን ብወሰን ዝወለዶ ህጻን ወድ 4-5 ዓመት እዩ። ምስ ወላዲቱ ኣብ ኰዓቲት (ኣከለ ጉዛይ) ይነብር።

***

ብ ወርሒ-ሓምለ 1892 ዓ.ም.፡ ኸኸሰዓ ኣብ ክልተ-ተኸፍለ። እቲ ን እምባ-በዐሳ/ ከባቢታትን ክሳብ መረብ ዘጣምር ክፍሊ፡ ንደጊያት-ኣርኣያ ከም ጉልቲ ተፈቒደሉ። እቲ ካልኣይ-ክፋል፡ ንራእሲ-ኣሉላ ተዋሂቡ፡ እዚ ድማ ብምኽትላቱ የመሓድሮ።

ደጊያት-ኣርኣያ፡ ኣብ ማይ-ዕባር ከባቢ ዓድዋ ካብ ኣይተ-ደረስ/ እምበይተይ-ስርጊት (ብወሰን እተወልደት ሓወቲ ራእሲ-ባርያው እያ) ይውለድ።

ኣብ ኩናት ኣባ-ገሪማ(19 መስከረም 1891 ዓ.ም.) ምስ ደበብ ተሰሊፉ ኣብ ዝነበረ እዩ ተማሪኹ። ኣብ "እምባ ምቕማጥ-ኣርዋ" (ግራልጣ) ተኣሲሩ ጸኒሑ ድማ፡ ካብኡ ከምልጥ ከኣለ። ብሽምግልና ደጊያት-ቦንለ(ሓው ደበብ) ኣቢሉ ግና፡ ብራእሲ-መንገሻ ምሕረት ተገብረሉ።

ተባዕ- ደፋር- ውሩይ በዓል ራስያ ምኻኑ፡ መሬት ኣከለ ጉዛይ/ዓሳውርታ፡ ኣጸቢቖም ይምስክሩ።

ንተቓውሞ በረኻ ዝወጹ ኮኑ -ሽፋቱ፡ ብደስታ ናብኡ ይጽምበሩ። ከም ባህሪኡ ድማ፡ እንጸር-ኢጣልያ ዝዓጠቐ እዩ። እቲ ሉሚ ኣብ ጥቓ-ዶብና ዝሒዞዎ ዝርከብ መሬት ንዝእ-ርእሱ፡ ውጽኢት ናይቲ ምሳኡ እተፈጥረ ተውህቦ ምኻኑ ዝኣክል መረዳእታ እዩ።

****

ሳልሳይ – ክፋል

«ማሕበራዊ መነባብሮ»

I.

" ኣንትሮፖሎጅያዊ "[4] ስእሊ

ስፍሓት-ኤርትራ፡ መሬት-ዓሰብ እውን ምስኡ ተጸምቢሩ፡ ንስፍሓት-መሬት ኢጣልያ ብዘይካ ደሴታቱ ይዓረን እዩ። ዋላ'ውን ፍቕዶም ብጠቕላላ ካብ 300.000-ሰብ ቅሩብ ክብ ዝብል እንተኾኑ፡ ኣብ ክንድ'ዚ ዝኣክል ስፍሓት-መሬት፡ ብመቶል ይኹን- ቋንቋ- ሃይማኖት- መሕበራዊ ልምዲ ዝፈላለዩ፡ ትሽዓተ-ህዝቢ ይነብሩ።

ተወላዶ ደቀ'ባት ኤርትራ ክንድ'ዚ ዝኣክል ምፍልላይ ዓሌት ግን፡ ብመጀመርያ ኣብ ክልተ እተነጸሩ ጉጅለታት ምኽፋሎም ዝከኣል እዩ። እቲ ቀዳማይ፥ ን «ሰማውያን-ህዝቢ» ወይ ድማ ንቶም ካብ ጥንታዊ ቋንቋ-ግእዝ ዝመንጨው ሰማዊ-ቋንቋ ዘዘውትሩ ህዝብታት ዘጣምር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ፥ ን «ሓማውያን ኩሳ ኩሻውያን-ህዝብታት» ዝምልከት እዩ።

እቲ ቀዳማይ ጉጅለ፡ ብዝያዳ ኣገዳስነት ዘለዎን/ ን ክልተ-ሲሶ(2/3) ምልኣተ-ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝምልከትን፡ እቲ ዝበዝሐ እውን እዩ።

ኣብ ክልተ ብመሰረት ቋንቋ ትግረ- ትግርኛ ዝፈላለዩ እንዳታት ስለ ዝኸፍል ድማ (ቋንቋ-ትግረ ዘዘውትሩ፡ 117-118 ሽሕ/ሰብ ኣቢሎም ክኾኑ እንከለው - እቶም ትግርኛ ዘዘውትሩ፡ 82-83 ሽሕ ኣቢሎም ይግመቱ)፡ እቲ ዝያዳ ስምረት- ዝወሓደ ምክፍፋልን ዘለዎ ወገን እውን ይኸውን።

እቲ ካልኣይ ጉጅለ፡ ሓማውን- ኩሻውን ኣብ እተባህሉ ክልተ ንኡሳን-ጉጅለ ይምቀል። ሓማዊ-ጉጅለ ዝበሃል፥ ን ህዝብታት-ሳሆ/ ደንከልን፡ ንቶም ኣብ ምብራቓዊ ወገን እምባታት ኢትዮጵያን- ኣብ ገማግም ባሕሪ ድማ ካብ እምባ-ገደም ክሳብ ራስ-ዱመይራ ኣብቲ ብዶባት መግዛእቲ-ፈረንሳ ዝውሰን መሬት ዝነብሩ ሶማል/ ኣብ ከባቢ ከረን፡ ንቢለን-ቦጎስ/ ኣብ ሰሜናዊ-ምብራቕ ድማ፡ ኣብ ጐላጐል ባርካ ንዝነብሩ በጃ-ሃደንደዋ/ ዘጣምር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ኩሻዊ(ናይ ኩሽ)-ክፋል፡ ንቶም ኣብ ምዕራባዊ ወገናት-ከበሳ ዝነብሩ ህዝብታት ባርያ- ባዛ፡ ይምልከት። ብልክው ድማ፡ ባዛ ኣብ ጋሽ/ ባርያ ድማ ኣብ ሞንጎ ጋሽ-ባርካን ተቐራሪቦም ይነብሩ።

ሓማውያን፡ ምናልባት ተረፍ ናይ'ቶም ብቕድሚ ምምጻእ ኣግኣዝያን፡ ካብ እስያ ን ኣፍሪቃ እተሰደዱ ህዝብታት ከይኰኑ ኣይተርፉን። ኩሻውያን ድማ ብወገኖም፡ ተረፍ ናይቶም ብቕድሚ ወራር-ሓማውያን ዝነበሩ ጥንታውያን ደቀ'ባት እዮም ዝበሃሉ።

"ለፕስዩስ" ንህዝብታት-ኣፍሪቃ ብቋንቋኦም ኣቢሉ ኣብ ሰለስተ-ጉጅለ(መትበረ)ይኸፍሎም። ብመሰረት ናይዚ ኣሰራርሓ፡ ባርያ-ባዛን ብዘዘውትርዎ ቋንቋ፡ ኣብ ካልኣይ ጫ (ኣብቲ ናይ እተሓናፈጹ ቋንቋታት ጸለምቲ-ደቀ'ባት ዝምልከት) ናይቲ ቀዳማይ ጉጅለ (ናይ ጥንቲ-ኣፍሪቃውያን፡ ማለት Urafrikanische= " ኡራፍሪካኒሽ ") ምተሰርዑ።

ለፕስዩስ ከም ዝኸተሎ ኣገባብ-ኣከፋፍላ፡ ጥንታውያን ደቀ'ባት-ኣፍሪቃ (ኡራፍሪ-ካነር)፡ ማለት እቶም ካብ ጸንፈ-ክሳብ ሰሃራ ኣብዚ ክፍለ ዓለም ዝነብሩ ህዝብታት፡ ብኣካላዊ-ቅርጺ ይኹን/ ኣብ መሰረቱ ድማ ብቋንቋ/ ሓደ እዩ ዓሌቶም።

እዚ ዓሌት'ዚ፡ ንቲ ሓማዊ ወይ ካማዊ-ዓሌት ይጻረር እዩ። ኣይመሳሰሎን።

ለፕስዩስ ኣብ ሞንጎትኡ እናቀጸለ፥ ሓማውያን ንቕድሚት እናደፍኡ ንቶም ናይ ጥንቲ-ኣፍሪቃውያን ካብ ቦታኦም ኣልቀቕዎም፡ ወረ'ውን ሓደ ክፋሎም ክሳብ ደቡብ-ኣፍሪቃ ደፍእ'ሞ፡ ኣብቲ ቦታ፡ እቶም ክልተ-ዓሌት ተቓሪኖም- ተሓዋዊሶምን ይብል። ሓድ-

---

[4]- ኣንትሮፖሎጂ= ስነ-ሰብ፡ ብዛዕባ ወድ-ሰብ ዝገደስ መጽናዕቲ ወይ ስነ-ፍልጠት።

ሓደ ክፋላት እዮም ንውልቆም ካብ ወራር ባዕዳዊ-ባእታ ሓራ ኰይኖም፡ ይሓድ-ይብሄሕ ዓሌቶም ምዕቃብ ክኢሎም።

" ፈደረት ምዩለር " ከም ዝምጉቶ፥ ጥንታውያን ህዝብታት-ኣፍሪቃ ኣብ እተፈላለየን-እተኸታተለን ዘመናት፡ካብ ልምዳዊ-ቦታኦም ቅለቁ ዘገደዶም፡ ሓያል-ሳግመታት እዮም ኣካይዶም። እቲ ናይ መጀመርያ ክበሃል ዝከኣል ድማ፡ 6000 ዓመት ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ኣቢሉ እዩ ዝኸውን።

ኩናት/ ምድብላቕ/ ኣብ ሓድሓደ ቦታ፡ ብሓባር ምንባር/ ንቶም ካብ ወራር ኣምሊ-ጦም ነጻነቶም ዓቂቦም ካብ ምትሕንፋጽ ሓራ ኰይኖም፡ ሓድሽ መናበሪ ቦታ ክረኽቡ ዘይተኻእሎም/ ወይ ድማ፡ ካብ ዘይትፈልጦ ሓደገኛ መንገዲ ስደት፡ ምምላኽ ይሓይሽ ዝበሉ ጥንታውያን-ህዝብታት/ዝኣመስሉ ረቛሒታት ዘኸተልዎ ለውጢ፡ብቀሊሉ ዝግመት እዩ።

ነዚ ምጉት'ዚ ተኸቲልካ፡ ኣሽሓት-ዓመታት ዝኣክል ሓቢሮም'ኳ ኣብ ሓደ-መሬት እንተነበሩ፡ ማንም ካብቶም ሰለስተ እተጠቕሱ ጉጅለ ህዝቢ-ኤርትራ፡ ካብ ምትሕንፋጽ ሓራ ኰይኑ፡ ብጽሩይ መበቆሉ ክምካሕ ዝኽእል ኣይምተረኽበን።

ከምኡ'ውን፡ ዋላ ግዳማዊ-ትዕዝብቲ ከም ዝሕብር፡ ካብዞም ሰለስተ እተባህሉ ጉጅለ፡ እቲ ብዝያዳ ንጽህና-መበቆሉ ዓቂቡ ዝርከብ፡ እቲ ድሒሩ ዘሳገመ እዩ። ብኣንጻሩ፡ እቲ ምትሕንፋጽ ደሚቑ ዝረአ፡ ኣብቲ ካብ ነዊሕ-እዋን ኣትሒዙ ኣብቲ ሃገር ዝጸንሐ ህዝቢ ይኸውን።

ባርያ-ባዛን ኣብዚ ዳሕረዋይ-ኩነት ይርከቡ። ንሶም እዮም'ውን ጥንታዊ-ጉጅለ ዝበሃሉ።

ናይ ኣንትሮፖሎጅያ (ስነ-ሰብ) ተመራመርቲ፡ ብንጹር ክቕርብዎ ዝኽእሉ ኣጸዋውዓ ስለ ዘየልቦን፡ ከምኡ'ውን ምስቶም ዝተረፉ ክልተ-ጉጅለ ብሓባር ዝጥቀምሉ ኣጸዋውዓ ንምስማር፡ ኣነ'ውን(ደራሲ)፡ «ኩሻውያን» ኢለ ምጥቃሰም መሪጸ።

እዚ ስም'ዚ ካብ ባህሊ መጽሓፍ-ቅዱስ ዝመጸ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ብናይ ግሪክ-ላቲን ደረስቲ «...ኢትዮጵያ ሱፕራ እጂፕቱም...»(ብደቡብ መሬት-ግብጺ ዝርከብ ኢትዮጵያ) ዝብል ጥቕስታት፡ «ሃገር-ኩሽ» እውን ስለ ዝበሃል እዩ።

እቲ ብድሕር-ኩሎም ተሰዲዱ ዝመጸ «ሰማዊ-ጉጅለ» ብኣንጻሩ፡ እቲ ዝያዳ ኣሰራት-መበቆሉ ዝዓቀበ ክኸውን ኣንከሉ፡ «ሓማዊ-ጉጅለ» ኣብ ምንጎኦም ይርከብ።

ኩሻውያን ታሪኽ ናይዞም ሰለስተ-ነገዳት፡ ብመሰረት ኣከፋፍላ ናይቲ ዝነብርሉ ኤርትራዊ-መሬት ይግለጽ።እቲ ናይ ጥንቲ ኩሻዊ-ህዝቢ፡ ብሳግመ-ሓማውያን በብቕሩብ ተደፊኡ፡ ናብቲ ኣብ ምዕራብን-ሰሜን ዝርከብ ድሩቕ ኣውራጃታት ተባረረ።

እቶም ምናልባት ብ «ወሽመጥ ባብ ኣል-መንደብ» ኣቢሎም ካብ እስያ ን ኣፍሪቃ ዝሓለፉ ወረርቲ፡ ኣብ ገማግም-ባሕሪ ኣስፋሕፊሖም ድሕር-ምጽናሕ፡ በብቕሩብ፡ ንቲ ብ ምጡን ኩነታት-ኣየሩ ዝሓይሽ ከበሳ መረጹ።

ኣብ ኤርትራ ብኣፍ ዝመሓላለፍ ባህሊ፡ ንቲ ባርያ-ባዛን/ኩረን ኲነ-ዓድታት ማርያ ዝወነኑ እዋናት፡ ዛጊት የዘንትወሉ። ኣብቲ ዝሰዓበ እዋናት፡ ካብዚ ቦታ'ዚ እዮም ብ ሓማውያን ህዝብታት ዓፈር-ከለው፡ ተባሪሮም። ህዝቢ-ከለው ብወገኑ፡ መሬቱ ብ ቦጎስ ምስ ተወረረ እዩ ቅሂሙ።

ከም ዝበሃል፡ኣብ ልዕል'ቶም ጥንታውያን ወነንቲ-መሬት ብዝነበሮም ሃሚናዊ ኣኽብሮት ንዓኦም ክዩፍቀዱን-ደገፍ ኣምላኽ ክይተማህለሉን፡ ህዝቢ-ቦጎስ፡ ንማሕረስ ኣይወፍርን ዝነበረ።

ክፋል ናይቲ ዝተረፈ ህዝቢ-ከለው፡ ምስ ብንዓምር ሓቢሩ ይነብር። ዝተረፈ ውሑድ ክፋሉ ድማ፡ ምስ ህዝቢ-ቦጎስ እዩ ናብራኡ። ሓሸራ-ሾተል፡ እተባህሉ ዓድታት ቦጎስ፡ ዛጊት ዘርኢ-ከለው ምኺኖም ኣይረስዑን።

ሓማውያን ሓማዊ-ጉጅለ ህዝቢ-ኤርትራ፡ ኣሳጋሚ-መንሰኡ ካብቲ ኣብ ምብራቓዊ ክፍሊ ዝርከቡ ኣጻድፍ-ክሳብ ደንደስ ናይቲ ምጡን-ኣየር ዝርከቦ ከበሳ

እናደፍእ፡ ብቕንዱ ኣብቲ እሳት ዝኾነ ገማግም-ባሕሪ እዩ መናበሪኡ። ብዓንቶብኡ እውን ካብ ከበሳ እዩ ተደፊኡ።

ብዘይካ ብመንስ፡ ብምግፋፍ ዓሳ ኮነ/ ብባሕሪ ዘካይዶ ንግድ ይነብር። እዚ ጥበብ'ዚ፡ ኣብ ደንከል-ሶማል ብፍላይ እተመለኸ-ዝማዕበለን ናይ ማእቶት መስርሕ እዩ። ንሳቶም፡ ከኢላታት-ታብዓትን መርከበኛታት ብምዃኖም፡ ንቶም ኣብ ከልቲኡ ወገን ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ ዝርከቡ ሓውሰ ደሴት/ደሴታት/ደናጉላ-ባሕርን ዘኾተልዎም ዕንቅፋት፡ ብብልሓት ይሰግርዎም።

እቶም ኣገዳስነቶም ውሕድ ዝበለን- ምስ ብንዓምር ሓቢሮም ዝነብሩ ሃደንደዋ ወይ በጃ ኮኑ/ቦጎስ፡ ኣባላት ናይዚ ገጅለ'ዚ እዮም። ቦጎስ፡ እቲ ዘመኑ'ኳ ብንጹር ክፍለጥ እንተ ዘይተኻእለ፡ ካብ ውሽጢ ዓድ-ሓበሻ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ኣሳጊሙ ዝመጸ ህዝቢ-ኣገው እዩ። እዚ ሳግመ'ዚ፡ብድሕር'ቲ ብ 16 ክ.ዘመን ኣጸቢቑ ዝደመቐ ናይ ጋላ-ወራር እዩ ተፈጺሙ። እዚ ብጋላ ዘስፋሕፍሐ ወራር እዩ'ውን ንቶም ኣብ ዓድ-ሓበሻ እተጋህዱ ለውጥታት ኮነ/ ቀጻሊ ምግዓዝ ናይቲ ንጉስ ዝነብረሉ ቦታን ኣኸቲሉ።

ሰማውያን

ሰማዊ-ጉጅለ ብምሉኡ፡ ኣብቲ ቀጻልነት ዘይብሉ ህላዌኡ ሰሚሩ፡ ከም ወናኒ ናይቲ ካብ ቃሮራ-ክሳብ ወሽመጥ ሕርጊጎን/ እቲ ንዓኡ ዝምልከት ናይ ውሽጢ መሬት፡ ክሳብ ጋሽ(ንቲ እናተሰተየ ዝኸይድ ዘሎ እተፈላለየ ቀቢላዊ-ቅርጽታት ዘላልዮ ህዝቢ-ቦጎስ ኣብ ደሴት ሓጺሩ) ብተወሳኺ ድማ፡ ከም ውልቀ-ወናኒ ከበሳታት መሲሉ እዩ ንተዓዘቢ ዝቐርቦ።

እዚ ናይ ከበሳ ክፍሊ፥ ብደቡብ፡ ብወሓይዛት መረብ/በለሳ/ሙና- ብምብራቕ፡ ብኣው-ራጃ ሳሆ- ብምዕራብ ድማ፡ ብባርያ-ባዛ ይውሰን።

እቲ ኣብ ፊት-ባጽዕ/ ወሽመጥ-ሕርጊጎን ዝርከብ እኩብ-ደሴታት ዳህላክ እውን፡ ምስ'ዚ ቀቢላዊ-ጉጅለ እዩ ፍችቱ። ምናልባት'ውን እዘን ደሴታት እየን ናይቶም ካብ እስያ ን ኣፍሪቃ ዝሓለፉ ህዝቢ-ኣግኣዚ፡ መሳልል-መሲጋገሪ ዝነበራ። እዚኦም ድማ፡ ብዝማዕበለ ስልጣኔኦም ኮነ-ብደገፍ ናይቶም ኣብ ገማግም ሃገር-ዓረብ ዝተረፉ ኣዝማዶምን፡ ንቶም ብቕድመኦም ብ ወራር ተሰራጭዮም ዝጸንሑ "ሓማውያን"፡ ክትክእዎም ክኣሉ።

ኣንትሮፖሎጂያዊ-ኣከፋፍላ

ከምቲ ድሮ ትዕዝብቲ ተገሊርሉ ዝጸንሐ፡ እዚ ጉጅለ'ዚ እዩ ንውልቱ ካብ ምድብላቕ ሓራ ኮይኑ- ንውልቱ እውን ንጽህና-ዓሌቱ ዓቂቡ ዝጸንሐ ኢልካ ምሕሳብ፡ ዘይእመን ሞጉት እዩ።

ብቐረባ ምስ እትምልከቶ ድማ፡ እቲ "ሃርትማን" ብዛዕባ ህዝብታት-ኣፍሪቃ ዘቕርቦ ክልሰ-ሓሳብ፡ ኣብዚ ህዝብ'ዚ ክገልግል ከም ዘይክእል፡ ብኡ-ንብኡ ምጥርጣር-ስጋእ ዘሕድር ይኸውን።

ብ "ሃርትማን" ዝቐርብ ክልሰ-ሓሳብ ከም ዝምጉቶ፥ ንቲ *ብሰማውያን* ተፈጺሙ ዝበሃል ሳግመ፡ ዋና-ነገር ክኑሉ፡ ከም ዘየገድስ ምስ ስገሮ፡ ን *ሓማውያን* እውን ከም ዘየድልዩ-ጾር ሸለል ኢሉ ምስ ሓለፈ፡ብልዕል-ኩሉ፡ ሓደ ን«ሳይንስ» ተባሂሉ ዝስዋእ-ባእታ እዩ ዘናዲ። እዚ ድማ፡ እቲ ናብ ሰማያዊ ገጹ ብዘንጸባርቕ ጸሊም ሕብሪ-ቆርበትን/ ጸምሪ-መሰል ጸጉር ርእስን/ ስሩዕ ቅርጺ ኣርባዕተ-ኩርናዕ ዘለዎ ግንባርን ዝልለ፡ እቲ «ነግሮ» ዝበሃል ባእታ እዩ።

ብ "ኢትኖግራፍያዊ" ኣረኣእያ ሃርትማን፡ ኣፍሪቃውያን ብምሉኣቶም፡ ሓደ-ፍጹም ተምሳል ዘላልዮም እኩብ መሲሎም ይቐርቡ። ኣባላት ናይ'ዚ ሕብረተ-ሰብ'ዚ፡ ደረት ብዘይርከቦ ምምስቻል ዝተኣሳሰሩ እዮም። እቲ ምምስቻል ግን፡ ብጥንቃቐ ምስ ዝምርመር፡ ናይ ዝመሳሰሉ ባእታታት ዘይኮነ፡ ኣብቲ ሰፊሕ ኣፍሪቃዊ ክፍለ-ዓለም ብዝርከቡ ባህርያውያን ፍልልያት(ከሊማ.....)፡ ዘኸትልዎ ለውጥታትን/ ምትሕንፋጽ/ ኩናት/ ስደት/ ዝኣመሰሉ ካልእ ምኽንያታት፡ ተኸፋፊሉ ዝርከብ ጨንፈር ናይቲ ሓደ- ዓብን ዝኾነ እንዳ ወይ ዘርኢ ወድ-ሰብ መሲሉ ይቐርብ።

ስለ'ዚ ድማ፡ ኣብ ኣሰራርዓ ህዝብታት-ኣፍሪቃ፡ ብዘይስክፍታ ምምቡቱ-ኣተንቶት/በርበር-ግብጻውያን ኮኑ ፒግመይ(ድንኪ-ህዝብታት) ኣብ ሓደ ክጽምበሩ ምትኻእለ ማለት እዩ ብሓጺሩ።

ከምቲ ኣዚ ብ "ሃርትማን" ዝቐርብ ተኣምራዊ ጸሊም-ባእታ ንወገን ምሕዳት ዘይከ-ኣልን- ዘይግባእን ድማ፡ ህላወ ናይ ሓደ ካብኡ ዝፍለ ካልእ ጸሊም-ባእታ እውን ኣብ ምጥርጣር ክእቱ ኣይምተገብአን። ከውንነት ዝኾነ ዓሌት ወድ-ሰብ እውን ኣብ ሕቶ ምእታው ዘይግባእ እዩ። እዚ እዩ እቲ ወትሩ ኣብ ኢቓልቦ ህዝብታት ህልዊ ኰይኑ፡ ኣብ ኣእምሮ ደራሲ እውን ማሕታ ስርወ-ሳብ ዘኸትል። እዚ ብግምት ዝብጻሕ ሓቂ፡ ደቂቕ-ምርመራ ኣብ ዘድልዮም ጉዳያት ሃሲሱ'ኳ እንተቐረበ፡ኣብ መወዳእታ ጽማቑ፡ ንሱ እዩ ንባዕሉ ናይ "ኣንትሮፖሎጅያ" መሰረት ዝኾውን።

ብኣንጻር ናይቲ ኣቐዲሙ እተገልጸ ሕሉፍ(ጠረፍ) ናይ ሃርትማን ኣተሓሳስባ፡ "ደ-ኳትኾፋጅ " እተባህለ ተመራማሪ፡ ን ሓበሻ ብኣካላዊ-ቅርጾም፡ ምስ «ጸዕዳ-ዓሌት» ይሰርዮም[5]። "ፈደሪክ ምዩለር " እውን ብወገኑ ን«ኢትዮጵያውያን»፡ኣባላት ናይቲ ኣብ «ዞባ-መዲተራነውም» ዝርከብ ነገድ እዮም ይብል። ከምኡ'ውን ፕሮፌሶር-ማሪነሊ እተባህለ ኢጣልያዊ፡ ነቶም እተፈላለዩ ርእይቶታት ብጥንቃቐ መርሚሩ -ነቲ በብወገኑ ዝቐርብ ሞጉት ድማ ብማዕረ መዚኑ፡ ነዞም ዘገድሱና ባእታታት፡ ምስቶም ኣብ "መዲተራነውም" ዝርከቡ ህዝብታት ካብ ምስራዕ ሓሊፉ «ኢንዶ-ኤውሮጰውያን» እዮም ኣብ ዝብል መደምደምታ ይበጽሕ።

ብርእይቶይ(ደራሲ)፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ መሰረት ዘለዎ ኰይኑ ክቐርብ ዝኽእል መጉተ እቲ " ፕሮፌሶር-ሰርጂ " ኣብቲ ብ 1893 ዓ.ም. ዝደረሶ «ንምባ-ኣንቶሎጂያ» እተባህለ ጽሑፍ ዘቕርቦ ትንታኔ ክይከውን ኣይተርፍን። ንሱ ከም ዝገልጾ፥

> «...ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት እተፈጸሙ መጽናዕቲ፡ ከምኡ'ውን ድህሰሳ ጽሑፋት " ለምኖ " ከም ዘረጋግጽዎን፡ " ኢትሩስካውያን " ኣባላት ናይቲ «ፕላዝጂካ» እተባህለ ዓቢ-ነገድ ምዃኖም፡ ዘየጠራጥር እዩ።
>
> ስለዚ ንሳቶም፡ኣባላት ናይቲ«መዲተራንያ-ሊቢካ»እተባህለ "እንዳ" ኰይኖም፡ ምስ ናይ ጥንቲ ግብጻውያን-ኢትዮጵያውያን...ወ.ዘ.ተ.፡ ይዛመዱ እዮም።
>
> ኣብ ሲቺልያ-ሳርደኛ-ግብጺ-ኢትዮጵያ-ሰሜን ኣፍሪቃ(ሊብያ)፡ ንኣካላዊ-ቅርጽታት «ህዝቢ-መዲተራነውም» ዝምልከቱ ሓደስቲ መጽናዕታት፡ ነዚ ዘረጋግጹ ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ንጉጅለ ናይቲ መዲተራንያዊ-እንዳ፡ ብተወሳኺ ሓደ-ህዝቢ ይድምርሉ። እዚ ድማ፡ እቲ ጥንታዊ ህዝቢ-ግብጺ እዩ።..» ይብል።

ንጉዳይ ናይዚ ጽሑፍ ብቀጥታ ዘይምልከቱ፡ ስለ'ዚ እውን እተወንዘፉ ካልእ ጥቕስታት ንወገን ገዲፍካ፡ እተባህለ ውሩይ " ፕሮፌሶር "፡ ብከምዚ ይቕጽል፥

> «..ኣብ ገማግም "ባሕሪ-መዲተራነውም" ዘካየድክዎም ሰፋሕቲ ናይ ኣንት-ሮፖሎጅያ-መጽናዕቲ፡ ነዚ ዝኸተል ውጽኢታት የመስክሩ።
>
> ኣብ " ጥንታዊ-ግብጺ " እተረኽቡ ናይ ርእሲ-ኣስካሬን (ቀራንቀራ) ደጊሞም ብዘረጋግጽዎ ኣካላዊ ቅርጽታት፡ ከምኡ'ውን ናይቶም ጥንቲ-ኢጣልያውያን/ ናይ ሲቺልያ-ነኦሊቲካውያን/ ናይ ግሪክ ብ 6ይ ክፍለ-ዘመን ቅ.ል.ክ./ ናይ ሂሳርሊክ/ ናይ ናቒላራ ናይ ጥንቲ-መቓብራት/ ምስ ብዙሓት ኣብ ገማግም-መዲተራነኣ ኰነ ምብራቕ-ኣፍሪቃ(ኢትዮጵያ) እተረኽቡ ሓደስቲ-ባእታ ኣመዛዚነ ድማ፡ እቲ ናይ «ሊብያ» ቀቢላዊ-ባእታ፡ ዓብላሊ ምዃኑ ክግንዘብ ክኢለ።

---

[5]- De Quatrefages. Histoire gènèrale des races humaines. Paris,1899, pag. 455 (ሓፈሻዊ ታሪኽ ዓሌታት ደቅ-ሰብ)

- F. Muller. Allgemaine etnographie. Wien, 1879/ ገጽ 19 ዝስዕብን

- Marinelli. La Terra e le razze umane. Tav.III. / መሬት- ዓሌትን ደቅ-ሰብ

> ናይ ኢትሩስካውያን ቅርጺ-ርእሲ፡ ኣብ ቀራንቀራ ናይቶም ኣብ "መጋራ" ዝነብሩ "ኣኪያውያን"/ ኣብ ዘመናውያን ይኹኑ ናይ ጥንቲ-ሮማውያን/ ኣብ ጥንታዊ ስርወታት-ግብጺ፡ ምርኣዮም ዘደንቕ እዩ። እቲ ዝሓለፈ ኣድንቖት ግና፡ ኣብቶም ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኣብ ጊንዳዕ-ከረን ዝነብሩ ህዝብታት እውን፡ እቲ ቅርጺ ተመሳሳሊ ምዃኑ እዩ።....»

ውሑድ ትምህርቲ'ውን ይሃልዎ፡ ማንም ን«ኤርትራ» ዝበጽሐ ኢጣልያዊ፡ እቲ ብመጀመርያ ጠብላሕ ዝብሎ ደባን ሕብረ-ቆርበት ደቀ'ባት ንምዕዛብ፡ ካልኦት ኣገደስትን-ወሰንትን ኢትኒካዊ-ባህርያት ካብ ምስትብሃል'ኒ ከዝንግዕ እንተኸኣለ፡ ነቲ ኣቕዲሙ እተጠቕሰ ቅርጽታት ክይተገንዘበ ክሓልፍ ኣይክእልን።

ኣብ ጊንዳዕ ኰነ ከረን፡ ካብ ነዊሕ-ወለዶ ኣትሒዞም ኣብቲ መሬት'ቲ ዝነብሩ እንዳታት ኣይርከቡን። እቲ ቦታ፡ ናይ ዕዳጋ ቦታ ብምዃኑ። ስለ'ዚ ኣብኡ ዝነብሩ ህዝብታት ናይ ግድን ዝተሓናፈጹ እዮም።

ነዚ ናይ ንግዲ-መስመራት ገዲፉ ግን፡ "ፕሮፌሶር-ሰርጂ" ን ኤርትራ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ትዕዝብቱ፡ ኣብ ከረን-ጊንዳዕ ክይወሰነ፡ ኣብቲ ብሕት ኢሉ ዝርከብ ጉልታት ሽውዓተ-ዓንሰባ/ ድምበዛን/ ካርንሽም- ኣብ ሓማሴን፡ ኣብ መብዛሕትኦም ጉልታት ኣከለ-ጉዛይን እንተዝበጽሕ፡ እቲ ናይ «ኢትሩስካውያን» ዝብሎ ቅርጺ፡ ፈቖድኡ ዓብሊሉ ከም ዝረአ ምተገንዘበ።

ንዓይ(ደራሲ) ካብ ዘጓንፉኒ ብዙሓት ኣጋጣምታት፡ ክልተ ጥራሕ ምጥቃስ፡ ኣኻሊ ኰይኑ ይስመዓኒ።

እቲ ቀዳማይ፡ ኣብ መስርዕ "ካቫልየረ- ሚከለ ስፕረኣፊኮ" እተባህለ ብጻየይ ተሰሊፉ ዝጸንሐ ሓደ-ዓስከር ወደ'ባት ዝምልከት እዩ። እተጠቕሰ ብጻየይ ምስ'ዚ ዓስከር ኣብ ዘላለየኒ እዋን፡ «..እንሆ ዳንተ-ኣሊገረ..» እናበለ ብዋዛ ኣባይ ብዘቕረቦ፡እቲ ዜጋ... መዛረቢና ምኽንያት ከይተገንዘበ፡ ብታ "ዳንተ" እትብል ቃል ተቘጢዑ፡ «...እና ምሽ ዳንተ..» እናበለ ብተቓውሞ መለሰ። ከም ዘይኰንካስ ተገንዚበዮ ኣለኹ ኢለ እናሀዳእክዎ ግና፡ ብዓይኒ-ሓንጐለይ፡ ብፊቱ...ብጐኑ....መሸከሉ ተመልኪተ፡ እቲ ኩልና እንፈልጦ ኣብ "ከተማ-ፊረንጸ" ብሓጺን ተወቒሩ ዝተረፈ ምስሊ ናይቲ ኣባት-ነብሲ ቋንቋ-ጣልያን እንብሎ "ዳንተ" ጠብሳሕ በለኒ።

እቲ ካልኣይ ትዕዝብተይ ን "ደጊያት-ስባሁቱ" ኣመሓዳሪ ጉልቲ-ካርንሽም ዝምልከት እዩ። መልክዕ-ገጽ ደጊያት ስባሁቱ፡ ንናይ ሓደ ውሩይ "ሮማዊ-ቄሳር" ይመስል። ደጊያት-ስባሁቱ፡ ሰዊት-ዕድመ ካልኣይ ውላዱ ንኣገልግሎት ኢጣልያ ብምውፋዩ፡ እቲ ኣብኡ እተረኽበ ልቦና፡ ኣብቲ ንዓኡ ዝመስል ቄሳር ስለ ዘይተረኽበ፡ ስም ናይዚ ዲሕረዋይ ምሳኡ ስለ ዘይዳረግ ምጥቃሱ እየድልን። ቅርጺ ኣካላቶም ግን፡ ተመሳሳሊ እዩ።

ካብ ዕለታት ሓደ-መዓልቲ፡ ቡቲ ወትሩ ስነ-ስርዓት ዝመልኦ ኣገባቡ፡ ደጊያት-ስባሁቱ ኣብቲ ዓሪደሉ ዝነበርኩ መዓስከር ክበጽሓኒ መጺ። ጽቡቕ ዕላል ሒዝናሉ ኣብ ዝነበርና ድማ፡ ክልተ-ወተሃደራት ተወላዶ "ሳርደኛ" ካብ «ክፍሊ-ሃዳናይ»(እዚ ናይ ካቺዮቶሪ እተባህለ ክፍሊ፡ ሽዑ ኣብ ኣስመራ እዩ ዓሪዱ ዝነበረ) ካባና ቅሩብ ፍንትት ኢሎም ክሓልፉ ረእየ'ሞ፡ ንዓኦም እናመልከተ፡ ካብኡስ ንሶም ከም ዝጽልሙ ኣገንዘበኒ። ሓቁ ድማ እዩ ነይሩ።

ደጊያት-ስባሁቱ፡ ኣዝዩ ቀይሕ እዩ ሕብሪ ቆርበቱ። ኣስዒብና ከም እንርእዮ፡ እዚ ሕብር'ዚ፡ ኣብቶም ርኹባት ዝበሃሉ ደርብን/ ኣብቶም ርሕቕ ዝበሉ ሕርሻዊ-ጉልታት ዝነብሩ እሞ፡ ምስ'ቶም ትሑታት ዝበሃሉ ዓሌት ምትሕንፋጽ ዘይከኣሉን(ወይ ዘይደለዩን) ጥራኑ ዝያዳ ይረአ።

ሕብረ-ቆርበት ንባዕሉ፡ ካልኣዊ ወይ ኣገዳስነት ዘይብሉ ሬቛሒ እዩ። ዝበዝሐ ምስጢራቱ እውን ቡቲ ፊዝዮሎጅያ(Phisiology) እተባህለ ስነ-ፍልጠት ተቓሊዑ እዩ።

ዋዒ-ሃሩር ኣብ ዝጸዓቖም ሃገራትን- ኣብቶም ኣዝዮም ቆረርቲ ዝኾኑን፡ ፍልልይ-ሕብሪ ናይቲ ብጅማውትን(Vene=Vein)- ሰራውርን(Arterie=Artery) ዝጓዓዝ ደም፡ ይውሕድ'ሞ ሓሞት ብዝያዳ ተፈኣ፡ ኣብ ታሕተዋይ-ደረጃ ቆርበት ሕብሪ ዝቐብኡ

ነፍሳት የዋህልል። ምእንት'ዚ ድማ፡ ሕብሪ ቀርበት ወድ-ሰብ ናብ ጽልሚ ገጹ የድህብ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ዝኾነ ኢውሮጳዊ እውን ቀይሕ ሕብሪ-ገጹ ምለወጠ'ሞ፡ ኣብ ብዙሓት ወለዶ ድማ፡ ሳዕቤኑ ዝዖዳ ደሚቑ ምተራእየ።

"ፕሩንር-በይ" ብተመኩሮኡ ተገንዚቡ ከም ዝገልጾ፡ ኣብ ማብጺ ዝነብሩ ኢውሮጳውያን ብድሕር ቅሩብ እዋን ኣብኡ ምንባሮም፡ ብርስን-ኣኽደራይ ዝመስል ሕብሪ ይለብሱ። ኣብ ዓድ-ሓበሻ፡ ናብ ደባን-ሓምላይ ገጹ የብል። ኣብ ሶርያ፡ ጽምልዊ-ጻዕዳ ኣብ ጕላጕል/ ድሙቕ-ቀይሕ ኣብ ከበሳ። ኣብ ሃገር-ዓረብ፡ ቡናዊ ይኸውን።

ብዘይካ'ዚ፡ ጸጕሪ ርእሶም'ውን እናጸለመ- ይኹርድድ።

ነዊሕ-እዋን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ብምንባሮም፡ እዚ ናይ ኣየር-ጠባይ(ክሊማ) ኣብ ለውጢ ሕብሪ-ቆርበት ዘኸትሎ ሳዕቤናት ዘረጋግጹ፡ እቶም ካብ ሰለስተ ክፍለ-ዘመናት እትሒዞም፡ ኣብ ትሮፒካዊ-ቦታ(ሃሩር) ዝነብሩ ዘርኢ ናይቶም ቀዳሞት-ግዝኣቲ ፖርቶጋዛውያን እዮም። እዚኦም፡ ዳርጋ ፈጺሞም ጸለምቲ እዮም ኰይኖም። ብሕልፍ'ቶም ኣብ ደሴታትት «ካፖ-ቨርደ» ኰነ፡ ኣብ ገማግም «ጕዊንያ-ባታብዩ» ዝነብሩ።

ወረ'ውን ኣብዚ ቦታ'ዚ ከም ዝብልምስ፡ ካብቶም ደቀ'ባት'ኒ፡ ንሶም ይጽልሙ።

ሓድ-ሓደ ተገደስቲ'ኒ፡ ነዚ ለውጥ'ዚ፡ ካብ ምስቶም ጸለምቲ-ጊላታቶም ዝሰዓበ ምት-ሕንፋጽ እዩ፡ ዝብል ርእይቶ እንተቕረቡ፡ ብእተፈላለየ ምኽንያታት ቅቡል ዝኸውን ሞጕት ኣይኰነን። ብቕንዱ፡ ኣካላዊ-ቅርጾም ነቲ ናይ «ካውካዝያ» ዝበሃል መልክዕ ዓቂቡ እዩ ጸኒሑ።

ብርእይቶይ(ደራሲ)፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ሰማዊ-ባእታ፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነት ይነብር።

ንባዕሉ፡ ኣባል ናይቲ ብልዕሊ ጸሊም-ዓሌት ዝርከብ "እንዳ" ምኺኑ ስለ ዝኣምን፡ ንቲ ምስ ጸለምቲ(ነግሮ) ክጽምብር ዝደሊ ኣስተናዓቒ ኣረኣእያ ይነጽጎ እዩ። ብሓቅ'ውን ኢትዮጵያውያን ንባዕሎም፡ «ጽዓዱ» ኢና ይብሉ። ንኢውሮጳውያን እውን ጽዓዱ ይብልዎም። እቲ ጸሊም ዝብል ቃል፡ ንናይ ሱዳን ጸለምቲ(ነግሮ) ምጥቃስ ይጥ-ቀምሉ። ከምኡ'ውን ኣብ ስእልታቶም ዘስፍርዎም ጻድቃን-መልኣኽቲ/ ግዝእ-ርእሶምን፡ ቀይሕ ዝበለ ሕብሪ እንኪቀብኡ፡ ሰይጣን ጸሊም እዩ ሕብሩ[6]።

ንቕሓት ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዝነብር ሰማዊ-ጉጅለ ንዝምልከት እውን፡ መጕተ ዘይ-ግቡእ ልዕልናት ኣብ ልዕል'ቲ ኩሻዊ-ወገን፡ ዓብላሊ እምነት ምኺኑ ክዝንጋዕ ዘይግባእ ካልእ-ረቛሒ እዩ። ነዚ ዘመስክር ድማ፡ እቲ ብእበዎት ዝመጸ መጸዋዕታ ህዝቢ-ባርያ፡ ናይ «ጊላ» ተምሳል ከልብስዎ ምፍታኖም እዩ።

ኣብነት ንምጥቃስ፡ "ባርያ-እግዚኣብሄር" ዝብል ስም፡ ዝውቱር እዩ። ልክዕ ትርጉሙ ድማ፡ ኣገልጋሊ-እግዚኣብሄር ማለት እዩ። ብግብር'ውን፡ ካብ ነዊሕ-እዋን ኣትሒዙ ክሳብ'ቲ ንሕና-ኢጣልያ ንኤርትራ ዝኣተናሉ እዋናት፡ ካብ ባርያ-ባዛ እዮም፡ ዘመታ

---

[6]- ዶክቶር "ካርሎ ኮንቲ ሮሲኒ" ኣብቲ «ባህላዊ ዜማታት ትግርኛ» ዘርእስቱ ጽሑፉ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይጠቅስ፡ «...ኣብ ህዝቢ-ሓበሻ/ ተባዕትዮ ይኹኑ-ኣንስትዮ/፡ ጻዕዳ ሕብሪ-ቆርበት፡ ተፈታዊ እዩ። እዚ ሕብር'ዚ፡ግዳማዊ-መልክዕ ጥራሕ ዘይኰነ፡ማሕበራዊ-ደረጃ እውን ይገልጽ። ሓበሻ ብሓፈሻኡ፡ቀናጁ ደቅ-ኣንስትዮኦም ድማ ብፍላይ፡ ሕብሪ-ቆርበቶም ንምጽዕዳው ዝጥቀምሉ ክንክን፡ መስዋእቲ እዩ ክበሃል ምተኻእለ። እዚ ግን፡ ነቲ ጻዕዳ ሰማዊ-ዓሌት፡ ካብቶም ዝመለ-ኹም ጸለምቲ-ኩሻውያን ነጺሩ ተፈልዩ ኣብ ዝነበረሉ ኣገዩ ርሑቕ-ዘመናት ዝጥምት ዝኸረ፡ ከይኰነ ኣይተርፍን።

ከምቲ እቡ-ሳልሕ/እኸትስ እተባህሉ ደረስቲ፡ ኣብቲ «Churches and Monastries of Egypth-fig.106 a.» ዝጠቐስዎ ግና፡ ብርግጽ ጥንታዊ ጉዳይ ከይኰነ ኣይተርፍን።

ኰይኑ ግን፡ ኣብ ህልዊ-እዋን እውን እንተኾነ፡ ሓበሻ ኣብ ዝስእልዎም ምስልታት፡ መልክ-ዓቶም ንኽገልጹ፡ በቲ ንዓና- ንኢውሮጳውያን ዝወሰንዎ ጻዕዳ-ሕብሪ ኣቢሎም ይገልጹ። ጸሊም-ሕብሪ ድማ፡ ን ደቅ-ሱዳን ይጥቅንዎ።...» ይብል።

ብዝብል ደማዊ-ወራራት፡ ንውልቃዊ ኣገልግሎት-ዓበይቲ(ሹማምንቲ)ዓድ-ሓበሻ ኲነ/ብኸኤው ቀይሕ-ባሕሪ ዝሸየጡ ጊላታት፡ ከማረኹ ጸኒሖም።

እዚ ኣገባብ'ዚ ብተመሳሳሊ፡ ኣብቲ ብ ከኤው-መረብ ዝርከብ ክፍሊ-ኢትዮጵያ፡ ኑቶም ኣብ ኒላዊ-ወገን ዝርከቡ «ሻንቅላ» እተባህሉ ኩሻውያን፡ "ዘመቻ" ብዝበሃል ወራራት ዘጋጥሞም ዝነበረ እዩ።

ባርያ-ባዛ-ሻንቅላ- ኑቲ ወራራት ብዝግባእ ምክልኻል፡ ኣይብቑዓትን ዝነበሩ። ብኣንጻሩ ግና፡ እቲ ሰማዊ-ጉጅለ ኣብ ልዕል'ዞም እተጠቕሱ ብሄራት ዝነበሮ ጸብለል፡ ኣብ ኣካላዊ-ቅርጺ ጥራሕ ኣይኰነን ከውሰን ጸኒሑ። ብካልእ መዳያት እውን ዝግለጽ እዩ።

ተጻዋርነት ኣብ ዘድልዮም ናይ ጻዕሪ-ዕዮታት/ንኣብነት ከም ኣብ ኩናት/ ንዓና እውን (ኢጣልያ) የገልግል ኣብ ዝነበረ እዋናት፡ እቲ ሰማዊ-ጉጅለ፡ ሓይልን-ትብዓትን ብዝኣክል ዘመስከረ እዩ።

ኣብ ናይ ሰላም እዋናት ዘለዎ ናይ ጻዕሪ ተጻዋርነት ንምዝኽኻር፡ እዚ ብ "ፕሮፌሶር ሽቫይንፉርት"[7] እተባህለ ጉዳያት-ኣፍሪቃ ዘጽንዕ ተመራማሪ እተዋህበ ርእይቶ ይጥቀስ፥

> «...ኑቲ ኣብ ኣኽራናት ብፈንጂ ተጠቒምካ ጽርግያ-መንገዲ ምጽራግ ዝሕተት ናይ ኣካላት ሓይልን- ብልሓት- ተጻዋርነት- ዝዓረገ፡ ዳርጋ ውሑዳት ካብ ዕዮ ደቅ-ሰብ እዮም። ኢጣልያውያን፡ መማህራን ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ህንደሳ ምኺኖም ይፍለጥ።
>
> ኣብተን ናይ መጀመርያ ውሑዳት-ዓመታት ንክበሳ ዝመልኸሉ፡ ዘድንቑ ኣብ ኣኽራናት እተዘርግሑ ጽርግያታት ሃኒጾም እዮም። ንኣብነት፥ መንገዲ ዶንጎሎን-ብጊንዳዕ ኣቢሉ ንኣስመራ ዝሓልፍን፡ ኣብ ውሽጢ 20 ኪ.ሜ. ራሕቂ፡ 1500 ሜ. ዝኣክል ፍልልይ ከብታ ዘስግር መንገዲ ይጥቀስ።
>
> ከምኡ'ውን እቲ ብዓድ-ተከለዛን ኣቢሉ ካብ ኣስመራ ንከረን ዘምርሕ 80 ኪ.ሜ. ራሕቂ ዘለዎ መንገድን/ እቲ ሓጺር፡ ግንከ ጽንኩር ዝኾነ ብ *ባራቴረ* እተሃንጸ ካብ ከረን ንእምባ-በጉ ኣምሪሑ፡ መንገዲ ባርካን/ግብጻዊ-ሱዳን ዝኸፍት ጽርግያ፡ ክጥቀሱ ምተኻእሉ።
>
> ዑደትና ኣብ ዝፈጸምናሉ እዋናት፡ እቲ ዝበርትዐ ዕዮ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ጥበብ፡ ኣብ ማልድን-እምባላቶን ኣብ ገማግም-ክበሳ ቅድሚ 6 ወርሒ ኣቢሉ ዝጀመረ ህንጻ እዩ ዝነበረ። እዚ መንገድ'ዚ፡ ከረን ብቀጥታ ምስ ባጽዕ ንምትእስሳር እዩ ዕላማኡ። ካብቲ ኣብ ህልዊ-እዋን ብጐልጐል-ልብቃ ኣቢሉ ዝሓልፍ መንገዲ-ኢጋር፡ ዳርጋ 50 ኪ.ሜ. ኣቢሉ ዝግመት ሕጽረት ክህልዎ እዩ እቲ መደብ። ኰይኑ ግና፡ ኣብቲ ዞባ ብዝርከቡ ህጉም-ኣጻድፍ እቲ ጽርግያ ክድይብን-ክወርድን ስለ ዝግደድ፡ ጥጡሕ-ባይታ ንምፍጣር፡ ኣብ ጸድፊ ተንጠልጢልካ ዝካየድ ሓያል ናይ ፈንጂ-ህንደሳ ይሓትት።
>
> ኣብቲ ቦታ፡ ብውሑዳት ኢጣልያውያን ተመሪሖም ን 8 ክቢድ-ጻዕሪ ዝሓቱ ሰዓታት ዝዓዩ ተወላዶ ደቀ'ባት ብኣማኢታት ይፍቀዱ። መብዛሕትኦም፡ ካብ ሰሜን ዝመጹ መናእሰያት-ሓበሻ እዮም።
>
> ጽሙእ-መሰል ግሩም ኣካላቶም፡ ብነድሪ ኑቲ ሰፍ-ዘይብል ክቢድ ሞደሻ (ማሳ) ከወዛውዝን-ክወቕዖን፡ ኣብ ከውሒ ፈንጅታት ክሰኹዑን- ገለን ድማ ክበድቲ ደናጉላ ክጸርዑን...ክኻዕዙን ይረኣዩ።
>
> ካብቶም ኣብ ኤውሮጳ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ብዘይሰንፍሉ መንገዲ፡ብኩሎም ኣብቲ ናይ ሓባር ዕዮ ይሳተፉ።.....»

7- G. SCWEINFURTH, MON DERNIER VOYAGE EN ERYTHREE (REVUE GEOGRAPHIQUE INTERNATIONALE, MARS, 1895)

ቋንቋታት ካብ'ዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ኣካላዊ-ልዕልንት ዝያዳ ንጹሩ ዝረአ ድማ፡ እቲ ብቋንቋ ኣቢሉ ዝግለጽ ኣእምሮኣዊ-ዕብለላ እዩ። ቋንቋታት ባርያ-ባዛ ኰኑ-(ፍልልይ'ኳ እንተሃለዎም፡ ክልቲኦም ናይ እሱር-ኣደማምጻ ባህሪ ዘለዎም እዮም) ቋንቋ-ሓማውያን (ንሓድሕዶም ዝመሳሰሉን፡ ኣብ ጥንታዊ-እዋናት ምስ ናይቶም ኣብ ደቡብ-ዓረብ ዝርከቡ ሒምኛር-ሱናውያን ዘዘውተርዎ ቋንቋ፡ ዝምድና ከም ዝነበሮም የዘኻኽሩ። እዚኦም ግን፡ ኣብ እተወልድሉ ሃገር ብምትራፎም፡ ብኣገባብ ስሉስ መስራቲ-ፊደል ዝልለ ጽሑፍ፡ ብቋንቋኦም ክማዕብሉ ዝኽእሉ እዮም)፡ ኣብ ጽሑፍ ኣይሰፈሩን።

ቋንቋ ሰማዊ-ህዝቢ ግና፡ ክጹሓፍን- ናይ ባዕሉ ስነ ጽሑፍ ክህልዎ ዝጀመረን፡ ሰማ-ውያን ናብ ገማግም ኣፍሪቃዊ ቀይሕ-ባሕሪ ሳግመኦም ካብ ዝጀመርሉ እዋናት ኣት-ሒዙ እዩ። እዚ ኣዝዩ ጥንታዊ ዝኾነ ቋንቋ ድማ፡ ግእዝ እዩ ዝነበረ።

ብ ዘልማድ፡ ቋንቋ-ኢትዮጵያ እውን ይበሃል እዩ።

ዶክቶር-ፕረቶርዩስ ኣብቲ ብዛዕባ'ዚ ቋንቋ ዝደረሶ ሰዋስው፡ ከምዚ ይብል፥

«.....እቶም ኣዝዩ ቅድሚ ምጽኣተ-ክርስቶስ ኣብ ዘሎ እዋናት ካብ ሃገር-ዓረብ ንዓድ-ሓበሻ እተሰደዱ ሰማውያን-ህዝብታት፡ንግስነቶም ብዘመስረቱ፡ ኣብ ክርስትያናዊ-ሃይማኖት ክእምኑ ዝኽእሉ፡ ብእስተምህሮታት ናይቶም «ኣራማይቺ» እተባህሉ ልኡ-ኻነ-ሃይማኖት ኣቢሎም እዮም። ስለ'ዚ እዩ'ውን ኣብቲ ኣብ ቤት-መቕደሳት ዝዘ-ውተር ግእዝ፡ ብዙሓት ናይ ኣራማይቺ-ቃላት ዝርከቡ።

እዞም ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ እተሰራጨው ሰማውያን-ህዝቢ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ቋንቋ-ኢትዮጵያ (ብልምዳዊ ኣበሃህላ «ልሳነ-ግእዝ» ማለት ጥንታዊ-ቋንቋ) ብቕድሚ 900 ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ብ ትግረ-ትግርኛን እተባህሉ ዘመናውያን ቋንቋታት ተዓብሊሉ ህላዌኡ ኣብቂዑ እዩ።

እዚ ናይ ኢትዮጵያ-ቋንቋ(ግእዝ) ንትግረ-ትግርኛን ምስ ፈረየ ድማ፡ ኣብ ቤት-መቕደሳትን/ ስነ-ጽሑፍን ተወሲኑ ተረፈ።ኣብ ዝሰዓበ እዋናት፡ እዚ ቋንቋ'ዚ(ግእዝ) ኣብቶም ኣብ ደቡባዊ-ክፍሊ ዓድ-ሓበሻ እተሰራጨው ካልኣት ሰማውያን ሃገራት ከገልግል ድሕር-ምጽናሕ፡ ብልክዑ'ኳ ኣይኹን፡ንቲ ኢትዮጵያዊ ቋንቋ(ግእዝ) ብዝመ-ሳሰል መንገዲ፡ ኣምሓርኛ እተባህለ ቋንቋ ተማህዘ።

ኣብ ህልዊ-እዋን፡ ዋላ'ውን እቶም ብስግረ-ዶብ ዓድ-ሓበሻ ዝነየዱ ናይ ንግድ-ንጥፈታት፡ በዚ ወግዓዊ ዝኾነ ቋንቋ ይጥቀሙ።

ኣዝዮም ውሑዳት ብስሩዕ ማሕተም እተቐርጹ ጽሑፋት ንወገን ገዲፍካ፡ ቋንቋ-ኢትዮጵያ ብኢድ ብእተጻሕፉ ጽሑፋት እዩ ተመሓላሊፉልና።ኣብ ንባቡ ዝርከቡ ቃላት ድማ፡ እቲ ቋንቋ ህያው ኰይኑ ኣብ ዕለታዊ-ዝርርብ የገልግል ዝነበረሉ እዋናት፡ ኣየዘኻኽሩን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ፡ ብቃላት ናይቶም ሓደስቲ ቋንቋ ተመሪዙ፡ ዘይቅኑዕ ተምሳል ለቢሱ ይቐርበልና። ኰይኑ ግን፡ ኑቶም ብንጹር ካብቶም ሓደስቲ-ቋንቋ እተቐስሙ ቃላት ንወገን ገዲፍካ፡ ደጊምሲ ብምሉኡ ክሀንጽ-ክስራዕ ተኻኢሉ ኣሎ።

ካብ ሃገር-ዓረብ ን ዓድ-ሓበሻ እተሰደዱ ሰማውያን፡ ብዘይካ ቋንቋ፡ ነቲ ኣብ ሓወል-ትታቶም ተቐሪጹ ዝረአ ፊደላት ሒዞም እዮም ተሰዲዶም። እዞም ፊደላት እዚኦም፡ ኑቶም ሳባውያን ኰኑ ሓሚራውያን ዝጥቀሙሎም ፊደላት ይመስሉ። ክልቲኦም እገባብ-ጽሕፈት ካብቲ ናይ "ደቡብ-ሰማዊ" እተባህለ ጨንፈር ሰማዊ-ፊደላት ዝመጹ እዮም። ምኽንያቱ ከም ዝመስሎ፡ ኣብ ደቡብ ዝነብሩ እዕራብን/ ሓበሻን እዮም ብፍላይ ዝጥቀሙሎም። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ድኣ፡ ኣብ ሰሜን-ዓረብ/ ሶርያን፡ ንዓኦም ዝመስሉ፡ ቅርጽታት ክርከቡ ተኻኢሎም።

ኣብ መጀመርያኡ፡ እዚ ፊደላት'ዚ፡ ንጹል ፊደል እዩ ዝነበረ። ከም እብራይስጥ-ኣራማይክ-ዓረብን ድማ፡ ካብ የማን ንጸጋም እዩ ኣዋድቓኡ ዝነበረ። ሓበሻ እዮም ናብ ድርብ ፊደል ቀይሮም፡ ካብ ጸጋም-ንየማን ናይ ምጽሓፍ ለውጢ ዝሮምሉ።....»

ትዕቢት ከይተባህለ፡ ኣብዚ ከመልክቶ ዝደሊ(ደራሲ)፡ ብልክዑስ እቲ ፊደላት ኣይኰነን ናብ ድርብ-ፊደላት ተለዊጡ፡ እንታይ ድኣ፡ነቲ ንጹል-ፊደል ዝነበር መስረታዊ ቅርጺ

ንእሽቱ ለውጥታት እናገበርካ ብዝጥዕም አገባብ ብሾሞንተ እተፈላለዩ ድምጽታት ክም ዝንበቡ እዩ ተገይሩ[8]።

እዚ ለውጥ'ዚ ኮነ፡ እቲ አዋድቓ ጽሕፈት ካብ ጺጋም ናብ የማን ምምራሑን፡ አዝዩ አገዳስን- ፍሉይነት ዘለዎን ብምኻኑ እዩ እቲ ተመራማሪ ናይቶም አብ ሃገራት- ምብራቕ ዝዝውተሩ ቋንቋታት ዝበሃል ዶክቶር-ፕረቶርዩስ፡ ንትዕዝብቲ ተገዲሱ ናብዚ ገጹ ዝዕድም።

ሰማውያን-ቋንቋታት ንዘጽንዑ ተመራመርቲ ካብ ዘጋጥምዎም ዓበይቲ ጸገማት (ብሕልፊ አብ ጥንታውያን-ጽሑፋት ንዝምርኰሱ መጽናዕቲ)፡ አብ ጽሑፋቱ ሓደ-ድምጺ ወይ ሓደ-ፊደል ዝሕብሩ ቅርጽታት ዘይምህላዎም እዩ። ንቲ ቃል መሰረት ከልብሱ ድርብ-ፊደል እዮም ወኪሎም ዝቐርቡ።

ቅርጽን ተምሳለ-ትርጉም ናይ'ዚ ቋንቋታት ንዝምልከት፥ ዓይነት- ፍቕዲ- ጊዜ- አገባብ- ሰብን ደረጃን- ዝሕብሩ ረቛሒታት፡ ንቲ ንጽል-ፊደል ለውጢ ብምግባር እዩ ዝትርጐም (ዝከአል)። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ እውን፡ እንዝቢ፡ ብዘይተወሰነ- ዘይተለከዐ- ዘይንጹረ አገባብ እዩ ብሓፈሻኡ አሰር ናይቲ ጽሕፈት ክኸተል ዝግደድ።

ስለ'ዚ እዩ'ውን አብዚ ናይ መወዳእታ እዋን፡ አብ ሰማውያን-ቋንቋታት ንቲ ልክዕ ትርጉም ጽሑፋት ዘረድኡ -ውሳኔ -ንጹል ፊደል ዘለዎ ምልክታ -ፈላለይቲ ነጥብታት ዝአመሰሉ ፍሉያት ምልክታት ምትእትታው አድላይ ኰይኑ ተረኺቡ። እዚ'ውን ብመሰረት ናይቲ ብባህሊ ቅቡል ዝበሃል መዝነት እዩ ክፍጸም ተኻኢሉ።

ንዝማዕበለን ዝሓየለን ክፍሊ ዓሊት ወድ-ሰብ ዝቐየደ ሃይማኖታዊ-ጥቕስታት፡ ብሰማውያን ቋንቋታት እውን ምጽሓፎም ከም ዝተኻእለ'ውን ንዝግንዘብ፡ አገዳስነት ናይቲ እተገብረ ጽገና፡ ብቐሊሉ ዝርዳእ እዩ። ሰማውያን-አግአዚ እውን፡ በቲ ንሱም ዘተአታተውዎ ናይ ጽሕፈት አገባብ፡ አበገስቲ ናይቲ ጽገናታት እዮም ዝነበሩ።

በዚ ሓድሽ ናይ ጽሕፈት አገባብ ተጠቒሞም እውን፡ ካብ ጥንታዊ-ዘመናት አትሒዞም፡ ንቲ ብዓለምለኻዊ-ደረጃ፡ መሰረት ኩሉ ሞኖተይስት (ውልቀ-አምልኾት) ሃይማኖት ዝበሃል መጽሓፍ-ቅዱስ፡ ብቋንቋአም አተርጒሞም ዘዳለው እዮም።

ብዛዕባ'ቲ ህዝቢ-ግእዝ አብ ስነ-ጽሑፍ ዘኸተሎ ካልአይ ለውጢ ንዝምልከት ድማ ክጥቀስ ዝግባእ ረቛሒ፡ ብኩሎም ሰማውያን-ህዝብታት ዛጊት ንቲ ካብ የማን ንጸጋም ገጹ ዘምርሕ አገባብ ጽሕፈት እዮም ዓቒቦም ተረፎም። ግሪካውያን ኰኑ ቀዳሞት-ኢጣልያውያን፡ ብከምኡ (ካብ የማን ንጸጋም) እዮም ጽሕፈት ጀሚሮም። ቅድሚ ናብዚ ካብ ጺጋም ንየማን ዘምርሕ ዘመናዊ-አጸሓሕፋ ምብጻሖም ድማ፡ በቲ "ዑስትሮፈዲክ"[9] እተባህለ አገባብ እዮም ሓሊፎም።

እዚ ዘመናዊ እተባህለ ጽሕፈት፡ ሎሚ አብ ዳርጋ ኩሎም'ቶም ናትና ስልጣነ ዝኸተሉ ህዝብታት እተዘውተረ እዩ። ሓድ-ሓደ ደረስቲ ከም ዝአምንዎ ድማ፡ እዚ አገባብ'ዚ ንባዕሉ መግለጺ ብልሓት-አእምሮ/ ተዓጻጻፍነት/ ግሲጋስን ናይቶም አብ ግብሪ ዘውዓልዎ ህዝብታት የረጋግጽ።

ብዘይካ ብሉይ-ኪዳን፡ ሓድሽ-ኪዳን/ ናይቶም ብቤተ-ክህነት ኢትዮጵያ ቅቡላት ዝኾኑ ውሳኔ ቀዳሞት ሃይማኖት-ጠቀስ ጉባኤታት/ መገስ/ ካልኦት ቅዱሳን-ጽሑፋትን እውን፡ ብግእዝ ተተርጒሞም እዮም። ግዙሳት ወይ ርኹሳት ካብ ዝበሃሉ መጽሓፍቲ፡ ፍጻሜታት ኰነ ካልእ ጽሑፋትን እውን ብግእዝ ተጻሒፎም እዮም። ካብዚኦም ድማ፡ «ፍትሓ-ነገስት» እዩ'ቲ ዝያዳ አገዳስነት ዝሓዘለ ጽሑፍ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ፖሊቲካውን-ማሕበራውን ህይወት ንግስነት-ኢትዮጵያ ንምምሕዳር እዩ ተጻሒፉ ዝነበረ። ንግስነት ሰሎሞናዊ-ስርወ ምስ አብቅዐ ግና፡ከም ኩነታት ህዝብታት

---

[8]- ፍሉይ ምልክታ ሓስተርጓሚ፥ አብነት፡ ፊደላት ትግርኛ 36 እዮም፡ ምስ ኩሉ ድምጽታቶም 244 ይኾኑ።

[9]- ፍሉይ ምልክታ ሓስተርጓሚ፥ እዚ ቃል'ዚ ካብ ቋንቋ-ግሪክ ዝመጸ እዩ። ትሕዝቶኡ ድማ፥ ሓደ መስመር-ጽሕፈት ካብ የማን ንጸጋም ክኸይድ ጺኒሑ፣ እቲ ዝኸተል መስመር ብአንጻሩ ካብ ጺጋም ንየማን ይጽሓፍ። ከምዚ'ሉ እናተባራረየ ዝጽሓፍ-ጽሕፈት እዩ «ዑስትሮፈዲክ» ዝበሃል።

ዓድ-ሓበሻ፡ብ «ሕጊ-እንዳ'ባ» ተተክአ። ፍትሓ-ነገስት፡ በቲ ብዛዕባ ጉዳያት ሃገራት-ምብራቕ ዝግደስ ፕሮፌሶር-ጉዊዲ ብቋንቋ-ጣልያን እውን ተተርጒሙ እዩ።

ግእዝ ከም ወግዓዊ ልሳን-ንግስነት፡ ክሳብ 1300 ዓ.ም. እዩ ኣገልጊሉ። ፖሊቲካዊ ኩነታት ለዊጡ፡ ማእከል ናይቲ ሃጼያዊ-ስልጣን ብ ክኤው-ተከዘ ምስ ሰገረ፡ ግእዝ ደፋእ እናበለ ብ «ኣምሓርኛ» እተባህለ ቋንቋ ተተክአ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ድማ ግእዝ፡ ቋንቋ ሊቃውንትን/ ቤተ-ክህነትን ኮይኑ ተረፈ (ከም ናይ ኢጣልያ ላቲን)።

ኣምሓርኛ ድማ «ልሳነ-ንጉስ» ተባሂሉ ኣብ ንግድ ኩነ/ወግዓውያን ጽሑፋት ኣገልግሎቱ ጀመረ።

ኣምሓርኛ ንሓደ ጥንታዊ «ቋንቋ-ጋላ» ብብዙሓት ካብ ግእዝ እተለቅሑ ቃላት፡ ምምሕያሽ ምስ ተገብረሉ እዩ ውጽኢቱ «ቋንቋ-ኣምሓርኛ» ዝኾነ።

ሃይማኖት/ሞራል/ረቀቕቲ-ሓሳብ/ናይ ምምሕዳር ስነ-ጥበብ/ ማሕበራዊ-ስርዓት... ወ.ዘ.ተ. ዝኣመስሉ ክብርታት ሓዚሉ እዩ ቋንቋ-ግእዝ ነቲ ናይ ጋላ-ቋንቋ ከሀብትሞ ክኢሉ። ካብዚ ድማ፡ እቶም ንደቡብ-ኢትዮጵያ ካብ መሰረቱ ዝለወጡ ቀዳሞት ወረርቲ-ጋላ ዝነበሮም ትሑት ደረጃ-ምዕባለ፡ ርዱእ ይኸውን።

" ሽራይበር "[10] እተባህለ ደራሲ እውን፡ ተመሳሳሊ ርእይቶ እዩ ዘለዎ። ንሱ ከም ዝብሎ፡ ሰዋስው ንዝምልከት፡ ቋንቋ-ኣምሓርኛ ካብቲ ጥንታዊ-ቋንቋ ነጻ ኮይኑ፡ ናይ ባዕሉ ኣገባብ ይኽተል። ዝበዝሐ ክፍሊ ዓውደ-ቃላት(ግሲ) ግና፡ ካብ ግእዝ እዩ ዝለቃሕ። ናይ ባዕሉ ፊደላት ብዘይምህላው ድማ፡ ብፊደላት-ግእዝ ይጥቀም። ግእዝ ግን፡ ንኹሎም ድምጽታት ቋንቋ-ኣምሓርኛ ስለ ዘየድምጾም፡ ፊደላቱ ለዊጡን-ወሲኹን እዩ ፊደል-ኣምሓርኛ ዝኸውን።

ቋንቋ-ኣምሓርኛ ዘዘውትር ህዝቢ፡ ኣብ ኣምሓራ/ ሓድ-ሓደ ክፍለ-ወገን ጎጃም/ ኣብ ሸዋ/ ይነብር። ኣብዞም ዳሕረዎት ክልተ-ንግስነታት ግና(ጎጃም-ሸዋ)፡ ኣብቲ ቀዳማይ እውን ዘይስእና(ማለት ኣብ ኣምሓራ)፡ ብዙሓት ህዝብታት ከም ኣገው/ እተፈላለዩ ቋንቋታት-ጋላ(ኦሮሞ)/ፋላሻ(እብራይስጥ ሓበሻ)/ዝኣመስሉ ካልኣት ቋንቋ ይጥቀሙ እዮም።

ትግረ-ትግራይ ግእዝ ከም ወግዓዊ-ቋንቋ እናቐሃመ ብ ኣምሓርኛ ይትክእሉ ኣብ ዝነበረ እዋናት፡ብሰሜን-ተከዘ፡ካብቲ ጥንታዊ-ቋንቋ(ግእዝ) ዝመንጨው ክልተ-ቋንቋ እናሰረቱ መጹ። ትግራይ-ትግረ ይበሃሉ። እቲ ቀዳማይ፡ ይሓድ-ይብሃሕ ኣብ ሞንጎ -ፈለግ-ተከዘን/ ፈለግ-መረብን/ ኣብ ዝርከብ ምሉእ ስፍሓት ጥንታዊ ንግስነት-ትግራይ ዝዘውተር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዳሕረዋይ(ትግረ)፡ ቋንቋ ምድረ-ባሕሪ እዩ።

ተመሳሳልነት ኣስማቶም ንባዕሉ፡ ንተመሳሳልነት ናይዞም ክልተ ሓደስቲ-ቋንቋ ዘረጋግጽ ናይ ሓባር-ረጃሒ እዩ። ተመኩሮ ዘይብሎም ሰባት፡ብዚ ይደናገሩ ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ከም ሓደ ገይሮም እውን ዝርድእዎ ኣይሰኣኑን።

ቋንቋ-ትግረ፡ ልምሉም እዩ ድምጹ። ንሱ እዩ'ውን ብቐረባ ን«ግእዝ» ዝዛመዶ።

ትግረ፡ ነቲ ኣብ ጥንታዊ-ግእዝ ልሙድ ዝነበረ ኣደማምጻን(ዳርጋ ብትንሓግ ዝድመጽ ልሕሉሕ-ብርቱዕን ኣደማምጻ)- ሰዋስው ዝምልከት ወገናቱ ድማ ውሑድ ብምዃኑን፡ ዳርጋ ጽማቕ ቋንቋ-ግእዝ እዩ ክበሃል ምተኻእለ።

ቋንቋ-ትግራይ፡ ኣብ ካልእ'ውን ከም እተጠቕሰ፡ተረር-ሓርፋፍን እዩ። ካብ ግእዝ'ውን ዝያዳ ፍንትት ይብል። ጽሑፍ'ውን ስለ ዘዘውትር፡ ንሱ'ውን ንሓድ-ሓደ ፊደላት ግእዝ ለውጢ እናገበረ ይጥቀመሎም።

ብድሕር ክንድ'ዚ ዝኣክል ክፍለ-ዘመት፡ ትግረ ምስ ግእዝ ዘለዎ ተምሳል ዓቂቡ ምጽናሑ (ወረ'ውን ሓድሽ-ቋንቋ ዘይኮነስ፡ ስዲ-ኣተራጉማ ግእዝ እዩ ክበሃል ምተ-ኻእለ)፡ ጭብጢ ናይቲ ታሪኽ ዝገልጾ ሓቅታት እዩ ዘረጋግጽ። ማለት ምድረ-ባሕሪ

10- **J. SCHREIBER** Manuel de la langue tigrai parleé au centre et dans le nord de l'Abyssinie

ብሓቂ ብ «ኣግኣዝያን» ተግዚኦ ከም ዝነበረን፡ ኣግኣዚ ድማ ኣብዚ ደልዲሎም፡ ናይ ደቡብ-ወረራት ከም ዘስፋሕፍሑን እዩ'ቲ ዝርከቦ መረዳእታ። ምስ'ቶም ኣብ ደቡብ ዝረኸብዎም ህዝብታት እተገብረ ምውህሃድ ድማ ብደረጃ ደፋእ እናበለ እዩ ዝኸውን።

ስለዚ፡ ተመሳሳልነቶም ብዝያዳ ኣብ ከባቢ መደበሮም ምስ ዝነበሩ ህዝብታት ክኸውን እንከሎ፡ ምስ'ቶም ርሕቕ ዝበሉ ህዝብታት፡ ርሕቕ ዝበለ ዝምድና ይህልዎም።

ምስፍሕፋሖም ደው ዝበለ፡ ናይ እስላም-ምንቅስቓስ ባሕሪ ምስ በሓተ፡ ካብ ምዕቡል ዝበሃል ዓለም ሓገዛት ተዓናቒፉ-ብፈቶም ድማ እቶም ብደቡባዊ-ምዕራብ ዝወረፉ ሓደስትን-ብርኩታትን ህዝብታት ጋሳ ሰር ምስ ተኸሉን እዩ።ዓቢ-ፈራይን ኣስተምህሮ!!

ቋንቋ-ትግረ ጽሑፍ ኣይጥቀምን። ዛጊት እውን ውሑዳት ሊቃውንቲ እዮም ኣፍርዮም። ቋንቋ-ትግራይ(ወይ ከምቲ ገሊኦም ኛ ዝብል ናይ ኣምሓርኛ መፈጸምታ ተጠቒሞም፡ ትግርኛ ዝብልዎ) ግን፡ ብዙሓት-ብቑዓትን ሊቃውንቲ ነይሮምን-ይርከብዎን። ብሕልፊ ካብ ኣባላት ካቶሊካዊ-ሚስዮን በዚ ቋንቋ'ዚ ዝደረስዎ ሰዋሰው- ድርሰታት- ሃይማኖት ጠቀስ ጽሑፋትን(ከም ኣብነት፡ ምትርጓም ወንጌላውያን-መዛሙር ዳዊት-ሓጸርቲ ዛንታ ቅዱሳን) ክጥቀስ ምተኻእለ።

ትግረ፡ ካብቶም ኣብ ኤርትራ ዝዝውተሩ ቋንቋ-ደቀ'ባት፡ እቲ ዝያዳ ልኡል ክበሃል ዝከኣል ክነሱ፡ ንምዕባለኡ ዝዓንቱ ሓድ-ሓደ ረቛሒታት ምዝካር ኣድላዪ ይኸውን።

እቶም በዚ ቋንቋ'ዚ ዝጥቀሙ ህዝብታት፡ኣብ ካልእ ክፍሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ድሮ ከም እተባህለ፡ ብሓድ-ሓደ ምኽንያታት ተገዲዶም፡ ዳርጋ መብዛሕትኦም ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ እዮም። ስለ'ዚ እውን ትግረ ከም ናይ እስላም-ቋንቋ ተባሂሉ ስለ ዝእመን፡ ትግራይ፡ ቋንቋ-ክርስትያን እዩ ይበሃል።

እቶም ናይ ካቶሊክ ሚስዮናት ሓለፍቲ ዝነበሩ "ላዛሪስቲ" እተባህሉ ካህናት-ፈረንሳ፡ ኣብ ባጽዕ-ከረን ዝነበረ ትካላቶም፡ ብቋንቋ-ትግራይ ብፍላይ እናተጠቕሙ፡ ነዚ ኣብ ኣረኣእያ ሓፋሽ-ደቀ'ባት ዝጸንሐ እምንት'ዚ፡ ብዝያዳ ኣጕልሕዎ። ናይ ስዊድን-ሚስዮናውያን ግና፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጌጋ ኣይወዓሉን። ንሳቶም ብልክዑ፡ ኣብቲ ኣብ ገለብ(መንሳዕ) ዝነበረ መደበሮም፡ ከም ናይ ኣስተምህሮ ይኹን ፕሮፓጋንዳ መሳርሒ፡ ቋንቋ ትግረ እዮም ዝጥቀሙ። ብኸምዚ ድማ ኑቲ ንመብዛሕትኡ ህዝቢ-ከረን ናብ ክርስትና ክይምለስ ዓጊትዎ ዝጸንሐ ዕንቅፋት፡ ክኣልዮዎ በቒዖም።

እቶም ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ፡ ኰይኖም ግን ክርስትያናዊ-ባህሊ ዓቂቦም ዝርከቡ "በጆዩክ" እውን፡ ተመሳሳሊ እዩ ኩነታቶም።

ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ናይ ፈረንሳ-ሚስዮናውያን፡ ንሃይማኖት ዶ? ፖሊቲካዊ ዕላማታት ክማልኡ እዮም ተዋፊሮም ዝነበሩ ? ዝብል ሕቶታት ምምላስ፡ ናብ ካልእ ኣርእስቲ ዘምርሕ ጉዳይ ክይከውን።

ሓድ-ሓደ ኣገደስቲ ሓበሬታ ከም ዝእምትዎ፡ ቋንቋ-ትግረ ንቋንቋ ትግራይ ናይ ሓባር ልሳን ህዝብታት መረብ/ምላሽ ክኸውን ቦታኡ ዝገደፈሉ፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ክይኮነ ኣይተርፍን። ከምዚ'ሉ፡ ኣብ መረብ/ምላሽ እውን እንተኾነ (ከም ኣብ ዝተረፉ ክፍልታት-ኤርትራ) ብለይቲ ኣብ ገጠር ይኹን ኣብ መንገዲ-ከተማታት ብሃንደበት ዝጓነፉ ሰባት፡ ኩነታቶም ዝጋለጹን-ዝላለዩን፡ ብቋንቋ-ትግረ ኣቢሎም እዮም። ብኩሎም ስለ ዝርዳእ።

ንኣብነት፡ እቲ ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ መረብ/ምላሽ ዝርከብ ጉልቲ-ድምበዛን፡ ክሳብ ዕለት-ሎሚ፡ ድርብ እዩ ቋንቋኡ። ትግረ ይኹን ትግራይ ብዘይጸገም ይዝውተር። ጉልቲ ሸውዓተ-ዓንሰባ እውን ከምኡ፡ ብክልቲኡ ቋንቋ ይጥቀም።

ከም ባህሪኡ፡ ናብ ትግራይ(ትግርኛ) ገጹ ዘብል ቋንቋ ዝዕብልል ድማ፡ ናብ ፈለግ-መረብ ገጽካ ምስ እትቀራረብ እዩ። ካብኡ እዩ'ውን ኣብዚ ናይ መወዳእታ ክፍለ-ዘመን ብተደጋጋሚ ብረታዊ-ወፍሪ፡ ህዝብታት መረብ/ምላሽ ብቐድመኡ ዘይፈልጠን-ጽዩፍ ዝብሎ ኣገባባትን፡ ብኣስገዳድ ተኣታትዩ።

ህዝቢ መረብ/ምላሽ ኣብ ብዙሒ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ግና፡ ሓደ ካብዞም ክልተ-ህዝብታት ብዘየስተብህለሉ፡ ሰረት ስልጣነ-ግእዝ ዓቂቡ ብምትራፉ (ዋላ'ውን ምስቲ ዝሰዓበ ክሳራ)ህዝቢ መረብ/ምላሽ ዓቢ ረብሓ እውን ከዕወት ክኢሉ እዩ።

ከመይሲ ብዓኮና ራእስታት-ትግራይ ተገዲዱን/ ብዝነበሮ ውዕውዕ ሃንቀውታ ተደፋ-ፊኡን ህዝቢ መረብ/ምላሽ እውን ከምቶም ካልኦት ክፍልታት ምድረ-ባሕሪ፡ ካብቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝጸንሖ ምትእስሳር ተላቒቑ እንተዝኸውን፡ንሱ'ውን ኣብ ትሕቲ ዕብለላ መግዛእቲ ሓደ እስላማዊ-መንግስቲ(ቱርኪ ወይ ግብጺ ብዘየገድስ) ክቕረን ምተገደደ። ኣብ ህልዊ-እዋን ድማ፡ ከም ሓባብ-ማርያ-በጅዩክ- ፈጺሙ መስሊሙ፡ ወይ ከኣ ከም ህዝብታት መንሳዕ-ቦጎስ- ንድሕሪት ኣብ ዘይምለሰሉ ኩነት ምተረኽበ'ሞ፡ ሕርሻዊ ሰረት መናብሮኡ ለዊጡ፡ ኣብ ጥንታዊ ናይ ኣቦታቱ ኣሳጋሚ-መጓስ ተመሊሱ፡ ብዓይኒ ስልጣነ ቅሂሙ ምተረፈ።

ብካልእ ወገን ድማ በቲ ብስፈሑ እተጠቕሰ ታሪኻዊ ምኽንያታት፡ ህዝቢ መረብ/ምላሽ ኣሚን ኢሉ ንመግዛእቲ-ትግራይ ተቐቢሉ ብሰላም ክነብር ኢልካ ምሕሳብ፡ ዘይከኣል እዩ ዝነበረ። ምድረ-ባሕሪ፡ ካብ ባሕሪ ተነጺሉ ክነብር ኣይክእልን። ምናልባት'ውን ትግራይ ንባዕሉ፡ ከም ወዮ ንጉስ-ዮሃንስ እተመነዮን-ዝሓለኖን፡ ብዘይካ ባሕሪ ክነብር ኣይክእልን።

በዚ ምኽንያት'ዚ እምበኣርከስ፡ እቶም 116-117 ሽሕ ኣቢሎም ዝግመቱ ቋንቋ-ትግረ ዘዘውትሩ ኣገማዶም ዓብላሊ ቍጽሪ ሃልይዎም/ ቋንቋ ጥንታዊ ናይ ሓባር ወለዶ ዓቂቦም'ኳ እንተጸንሑ፡ ህዝቢ መረብ/ምላሽ ብቋንቋ ድኣ ቅሩብ ይፈለ እምበር፡ እቲ ንግስጋሰ-ምዕባለን ዝደፋፍእ ህያው ዝኾነ መንፈስ ተበግሶ-ቃልስን፡ ብዝያዳ-ብምሉእን ዓቂቡ እዩ ጸኒሑ።

እቲ ኣስታት 82-83/ሽሕ ኣቢሉ ዝግመት ዋሕዲ-ፍቕዲ (ዋሕዲ ናይቶም ኣብ መረብ/ ምላሽ ዝነብሩ ዜጋታት)፡ ንእካላውን-ሞራላውን-ስነ ሓሳባውን ድምር ናይቲ ዝተረፈ ህዝቢ-ኤርትራ፡ ይዳረጎን-ይዕብልሎን እዩ።

ኩነታት ሞራላዊ(ናይ ፍናን)ድስካለን- ስንፍና ተበግሶን ናይቶም ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ሰማውያን፡ ምስ ህያውነት-ምብልሓትን ናይቶም ኣብ መረብ/ምላሽ ዝርከቡ ክርስትያን-ሰማውያን ምስ ዝነጻጸር፡መግዛእቲ-ኢጣልያ ካብቶም ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ቀዳሞት፡ ዘኸትሎ ረብሓ፡ ውሑድ እዩ።

ብኣንጻሩ እቶም ኣብ መረብ/ምላሽ ዝነብሩ ዳሕረዎት(ክርስትያን)፡ብዝግባእ ተቐባልነት ረኺቦም-ከቢሮምን ብዝጥዕም መንገዲ ምስ ዘምርሑ፡ ብቑዓት ተሓባበርቲ ክኾኑና-(ኢጣልያ) ይኽእሉ።

ኣብ መጀመርያ እዋናት ኩተማ-ባጽዕ ዘመሓደርናሉ፡ ካብቲ ብቕድመና ዝጸንሐ ምምሕዳር ግብጺ እተወርሰ ተዋላዋሊ-ጠባያት ሰማውያን እስላም ደቀ'ባት ኣገዛዩ ተሰሪቱ እዩ ጸኒሑና። ብሕልፊ ኣብ ህዝብታት -ሰምሃር -ሓባብ -ብንዓምር። ብዘጓነፈና ኣሉታዊ ተመኩሮ ኢና'ውን ኣብቲ "ምምሕያሽ ሰራዊት ደቀ'ባት" ዝብል መደብና (ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ከበሳ ካብ ዝርከቡ ህዝብታት-ክርስትያን ምዕስካር ኣይከኣልን ዝነበረ) ካብየ ቦታኡ ሰራዊት ክናዲ ተገዲድና። ካብ የመን ይኹን-ካብቶም ናይ "ቡላኻር" ሶማል እውን ክይተረፈ። ኩይኑ ግና እዚእም እውን ንቲ ዕማም ኣይተዳረግዎን።

ንከበሳ ወጺእና ግና፡ ክርስትያን ደቀ'ባትን ከም መመላእታ ድማ፡ ሓደስቲ መንእ-ሰያት-እስላም ምዕስካር ብዝጀመርና፡ ብዲሲፕሊን ይኹን ፍጥነት-ብቕዓት፡ እዞም ዳሕረዎት ካብቶም ክርስትያን ኣይሰነፉን። ዋላ'ውን እቶም ኣቐዲሙ ኩነታቶም ዝበኣሰ እዩ ዝበልናዮም ሓባብ-ብንዓምር ክይተረፉ ለውጢ ገበሩ። ዓይነታዊ ለውጢ።

ሃይማኖት-ምስልምና ንሰዓብቱ ተሪር-ሞራል ዘልብስ እምነት መሲሉ'ኳ እንተቐረበ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ክፍልታት-ኤርትራ፡ ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋናት እዩ ተኣታትዩ። ብብዙሓት ግዳማውያን-ኩነታት ተጸልዩ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ጽኑዕ እምነት ዘሕድር፡ ናይ

ሳዕለ-ሳዕሊ ተኸተልቲ እዩ ጠርኒፉ ዝርከብ። ብመሰረት'ዚ፡ ኣብቶም ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ እስላም እዚ ሃይማኖት'ዚ ጽኑዕ መሰረት ተኺሉ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን።

ከምቲ ድሮ ኣብ ወታሃደራዊ-መዳይ እተጠቕሰ፡ ኣብ ሲቪላዊ-ምምሕዳራት እውን፡ ብጽልዋን ኣብነትን ናይቶም ክርስትያን ዝኾኑ ኣሕዋቶም ተተባቢዖም፡ ሓይሎም ከበራብሩ ምትስፋው፡ ከንቱ ኣይከውንን። ከምቲ ስዒቡ ዝያዳ ክበርሀ ቀሪቡ ዘሎ ድማ፡ ነዚ ተስፋ'ዚ ዘተባብዖ፡ ኣብ ሞንጎ ደቀ'ባት ብናይ ሃይማኖት-ሕቶ ዝለዓሉ ጽልእን-ዘይምስናይን ፈጺሙ ዘይምህላው እዩ። እዚ ካብ ኰነ ድማ፡ እቲ ብእና(ኢጣልያ) ክወሃብ ዝግባእ ቆላሕታ፡ ኣብ ህዝብታት መረብ/ምላሽ ምትኳሩ ይሓይሽ።

ጥንታዊ ስልጣኔእም፡ምስ ናትና(ኢጣልያ) ስለ ዝመሳሰል ብስነ-ሓሳብ እውን ንቀራረብ ኢና። ስለ'ዚ፡ ህዝብታት ናይዚ ዞባ፡ ነቲ ናብ መንገዲ ምዕባለ ዝኣመተ ጉዕዞና፡ እሙናት ተኸተልቲ ክኾኑና ጥራሕ ዘይኮኑ፡ምስቶም ብ«ከበው-መረብ» ዝርከቡ ህዝብታት፡ ከም ቋንቋ- ሕሉፍ ታሪኽን ዝኣመስሉ ናይ ሓባር ረቛሒታት ብምህላዎም፡ ምሳታቶም ዘራኽብ መሳልል ክም ዝኾኑ እውን፡ ንመጻኢ ዝኣመተ መደብ ዘይምዝንጋዕ።

ኣርሒቕና ክንጥምት እንተድኣ ኰይኑ እምበኣርከስ፡ ማእከል ናይቲ መግዛእታዊ-መንግስቲ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት መረብ/ምላሽ መታን ክቐውም፡ ኣስመራ እዩ ንመጻኢ ከም ርእሰ-ከተማ ክኸውን ዝግባእ።

ካምኡ'ውን ርሑቕ ኣብ ዘይኰነ እዋን፡ ኣብቲ ጥንታዊት ከተማ ኣዱሊስ እተሃንጸትሉ ከባቢ-ዙላ፡ ብኩሉ መዳያት ምንቅስቓስ ምብርባር ኣድላይ እዩ። ከመይሲ ኣብ ጥንቲ በዚ ኣቢሉ እዩ ብ ቆማይለ-ቆሓይቶ ብዝሓልፍ መንገዲ፡ ኣብ ሓጺር-እዋን ናብቲ ጥዑም-ኣየርን/ ብማይ እውን ሃብታም ዝኾነን ከበሳ ዝውጻእ ዝነበረ። ካብዚ ርግጽነት ዝርከቦ ምቹእ ቦታ እዩ ድማ መብዛሕትኡ ርክባት ምስ ማእከል-ንግስነት ኢትዮጵያ ክዋፈር ጸኒሑ።

ኣብዚ መንገድ'ዚ ዝርከቡ ኣሰራት ናይቲ ጥንታዊ-ምዕባለ፡ ክሳብ ኣኽሱም ይበጽሑ። ኣብ ኣኽሱም ድማ እቲ ብዓቐናቱን/ ግርማ/ ውቕረ-ዕዮ/ 28 ሜ. ኣቢሉ ዝኾውን ቁመቱን ንተዓዛቢኡ ዓቢ ኣድንቖት ዘሕድር ኣገዳሲ ሓወልቲ ይርከብ።

እዚ ሓወልት'ዚ ብገዛህልዎ ትርጉምን/ እተሃንጸሉ ዓመተ-ምህረትን፡ ንብዙሓት ሊቃ-ውንቲ-ዓለም ዘከራኸረ ኣርእስቲ እዩ። እዚ ግርማ ዝመልእን/ኣብ ሓደ ውልቀ- እምኒ እተወቕረ ዓቢ ሓወልቲ ኰነ፡ እቶም ኣብ ከባቢታቱ ዝርከቡ ካልኦት ንኡሳ-ንን(ተሰቢሮም ዝወደቑን-ብደዎም ተረፎም እተወሃሃደ ቅርጺ ዘይብሎምን ኩሎም)፡ ምስክርነት ናይቲ 1000 ዓመት ቅ.ል.ክ. ዝነበረ "ሳባዊ" ዝበሃል ሃይማኖት(ኣብ ናይ ባህሪ-ሓይልታት ዝኣምን) ህዝቢ-ግእዝ እዩ ዘረጋግጽ።

ነዚ ጥንታዊ-ምዕባለ ዝሕብሩ ካልኦት ኣሰራት፡ ኣብ ሁብል/ ኣብ ጉዕዞ ፈለግ-መረብ/ ኣብ ምብራቓዊ-ክፍሊ እምባታት ኢትዮጵያ/ ኣብቲ ብዘመኑ፡ ኣዱሊስ ምስ ደሴት-መሮወ ዘራኽብ ዝነበረ መስመር፡ ይርከቡ።

እዚ መስመር'ዚ እውን ብመዓልቱ፡ ኣብ ኣገልግሎት ምውዓሉ ክድሊ እዩ።

ዝኣመሰለ ዕውት ዝኸረ ናይ ዝነበረ ጥንታዊ-ስልጣኔ፡ ክልቲኦም ህዝብታት ከም ናይ ታሪኽ-ንያት ስለ ዝሕበንሉ፡ ፍልልዮምሲ ብመስመር ወሓይዛት መረብ/በለሳ/ሙና/ እተሓጽረ ጆግራፍያዊ-ዶብ ዘይኰነስ፡ ኣብ ሞንጎኦም ዝጸንሐ ዝለፋን-ቅርሕንትን እዩ።

ኣብ ትሕቲ ምምሕዳርና ግና(ኢጣልያ)፡ ሓንሳብ-ንሓዋሩን ቅርሕንትታቶም ይቕረ-ተባሂሎም ዋሕስ ምስ ተዓግተሎም፡ ርግጽነት ተረኺቡ፡ ዝጸንሐ ምስሕሓብ በብደረጃኡ ክውገድ ዝከኣል እዩ። ብስም ሕሉፍ-ታሪኾም ምዝኽኻር የድሊ።

በቲ ብኣዱሊስ-ቆሓይቶ ሓሊፉ ኪኖኡ ክዝርጋሕ ዝጸንሐ ባህሊ- ጥንታዊ ናይ ግሪክ ስልጣነ- ሰኒቑ እዩ ሰሜናዊ ክፍሊ ኢትዮጵያ ብዘመኑ ኣብ ደረጃ ብሉጽ ተሓባባሪ ሃጸይ ጁስቲንያኖ በዓል ቆስጣንጢኖፖሊስ ኰይኑ ተረኺቡን/ ኣብ ግዙፍ ሓውሲ-ደሴት ዓረብ ድማ፡ ክሳብ ሰሜናዊ-ክፍሊ "መካ" ክይተረፈ(ማለት ኣብቲ ብቕድሚ ብዙሓት ክፍለ-ዘመን ምናልባት ቅድሚ 2000 ዓመት ኣቢሎም «ኣግኣዝያን» ሳግመእም ዘበገሱ ቦታ) ልኡላውነቱ ኣመስኪሩ ኣብኡ'ውን ክስፋሕፍሕ ክኢሉ።

ጐድናዊ ቅርጺ ናይ'ቶም

ቋንቋ-ትግራይ ዘዘውትሩ ህዝብታት ቋንቋ-ትግራይ ዘዘውትሩ ህዝብታት ኢትዮጵያ -ማለት እቶም ኣብ የማናዊ ክፍሊ ፈለግ ተከዘ-ጺጋማዊ ክንፊ ፈለግ መረብ ዝርከብ ንግስነት ትግራይን/ ኣብ መረብ ምላሽ ዝነብሩ ህዝብታትን- ብሓፈሻኡ ተገንዚብካ እምበኣርከስ፥ እቶም ቀዳሞት(ተጋሩ) ሓርፋፍ-ተራጻምን ጠባይ ዘለዎም/ስሩዕ-ምዕቡልን መንግስቲ ዘይጸወሩ ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ዳሕረዎት(ህዝቢ መረብ ምላሽ)፡ ስርዓት ዘኽብሩን- ዝወሃሃዱን- ኣድላይነት ሃገር መንግስትን ዝርድኡ'ኳ እንተኾኑ፡ ክልቲኦም ህዝብታት ብሓባር፡ ኣወንታ-ኣሉታን ዘላልዮምም ጠባያት እውን ይርከብዎም።

ክልቲኦም ህዝብታት፡ መስተውዓልቲ-ሕያዎት-ተባዓት-ግርማ ክብርን ዘለዎም እዮም። ናይ ባዕሎም ፊደላት ዝሓዙ፡ ርእሶም ዝኽእሉ ጽሑፋት ይርከብዎም። ብዘመኑ፡ ኣኽ-ብሮት ዝግባእ- ርእሱ ዝኽኣለ ስልጣነ ክምስርቱን/ ዓቢ ፖለቲካዊ-ሓይሊ ክድልቡን ዝኽኣሉ እዮም።

ዛጊት፡ ብድንጉር መንገዲ ድኣ ይኹን'ምበር፡ ሕሉፍ-ስልጣኖኦም ይዝክሩን-ንምምላሱ ይትስፈውን።

ባህላዊ ኣሰራት ስነ-ጥበብ ስእሊ ዓቂቦም፡ ኣብዚ ዓውደ ፍልጠት'ዚ ምኩራት እዮም።

ብዘለዎም ብልሓት-ዘድንቕ ጽምኢ ፍልጠትን፡ ኩሉ'ቲ ዝወሃቦም ኣስተምህሮታት ብቐሊሉ ይቕስምዎ።

ምንም'ኳ ከም ሳዕቤን ናይቲ ካብ "ምዕቡል" ዝበሃል ዓለም ተነጺሎም ን 12 ክፍለ-ዘመናት መመላእታ ኣብ ሕሱም ቃልሲታት ጸሚዶም ናብ "ባርባርነት" እንተተመልሱ፡ ሓደ ዓቢ ተርእዮ ዓቂቦም ብምጽናሖም፡ ፍሉይ ቆላሕታ ክፍለጠሎም እውን ዝግባእ እዩ። እዚ ድማ፡ ካብ ኩሎም ህዝብታት-ኣፍሪቃ ንውልቆም ክርስትያናዊ ስነ-ሓሳብ ዓቂቦም ዝጸንሑ፡ እዞም ንዛረበሎም ዘለና ህዝብታት እዮም ንበይኖም።

ምስ'ዚ ግን፡ ብዙሓት ኣበራት ከም ዋሕዲ ግርህና -ጃህራን ዝኣመሰሉ እውን፡ ኣይሰኣንዎምን። ሕንቂቓት ህጻናት ይመስሉ። ሓሳብ-ግብርን፡ ኣይሰመረን። ብዘይካ'ዚ ድማ፡ ህውኻት/ተጣበብቲ/ዘይስሙራት/መናዋት/መሕደስቲ እዮም። ብዋንቃቕ ምስ ትዕዘቦም ግና፡ ዕቑር ክእለቶም ኣበራቢሮም፡ እንደገና ተንሲኦም ዓበይቲ ነገራት ናይ ምህናጽ ተኽእሎ ከም ዘለዎም፡ ዘይስሓት እዩ።

መልክዖም ግሩም-ተፈታውን ኮይኑ፡ ንመልክዕ "ካውካዝያውያን" የዘኻኽር። እቲ ደባን እምበር ጸሊም ዘይበሃል ሕብረ-ቆርበቶም፡ ናይ እኳቶር(ቅናት መሬት) ጸሓይ፡ ዋላ'ውን ኣብ ከበሳ ንዝነብሩ ደቅ-ሰብ ብከመይ ከም ዝጸልዎም የረድእ።

ስለ'ዚ እዩ'ውን እቲ«ኦመሮ» እተባህለ ናይ ግሪክ ፍላስፋ፡ "ኢትዮጵያውያን ብጸሓይ ዝሓረሩ ህዝቢ እዮም" ዝበለ።

ማንም ኣባል ታሕተዋይ-ደርቢ (ከም መብዛሕትኦም ወታሃደራትና)፡ ካብ ኢጣልያ ተበጊሱ ምስ'ዞም ህዝብታት ክነብር ኣብ ዝውስኑሉ፡ ኣብ ሓጺር-እዋን (ማለት እቲ ፍልልይ ሕብረ-ቆርበት ዘኸትሎ ናይ መጀመርያ ሰጋእ፡ ምስ ተወገደ) ዓሌታዊ-ፍልልይ ነጺጉ፡ ብቐሊሉ ምሳታቶም ክዛመድ ይኽእል። ምኽንያቱ'ውን፡ ኢጣልያውያን ብመሰረቱ ኣብ ዓሌታዊ-ኣድልዎ እተመርኰሰ ስነ-ሓሳብ ብዘይምህላዎም እዩ[11]።

ወረ'ውን እቶም ኣብ ኤርትራ ንውሕ ዝበለ እዋን ዝጸንሑ ወታሃደራትናስ፡ ካብቲ ጸቢብ ወታሃደራዊ እተሓሳሰባ- ተልእኮን- ወጻኢ፡ ንቲ ዝምድና ኪኖኡ ኣስጊሮምዎ ይርከቡ።

11- ፍሉይ ምልከታ ኣስተርጓሚ፥ እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ እተሓትመሉ እዋን፡ እቲ ሰዓቡ ዝመጸ ፋሺስታዊ-መንግስቲ ይኹን ናቱ ስነ-ሓሳብ፡ ምፍላጡ ኣይከኣልን ዝነበረ። ኣብዚ፡ ብዛዕባ'ቲ ቀዳማይ ወፍሪ መግዛእቲ-ኢጣልያ -ማለት ብቕድሚ ፋሺስታዊ-ተርእዮ 1921- ዝነበረ ሃዋህው ንዝምልከት፡ እዩ'ቲ ዝጥቀስ ዘሎ ርእይቶ።

ኢትዮጵያውያን እውን ብወገናም፡ ናይ ኤውሮጳ ብልጺ-ዓሌት ኣይኣምንሉን። ማዕረ ምኻኖም ኣሚኖም ድማ፡ ክርስትያን ስለ እንበሃል፡ ኑቲ ዝምድና ዝያዳ የቀራርብዎ።

ብሓጺሩ፡እቲ ብትምህርቲ/ጠባይ/ስልጣን/እሩምነት/ምስትውዓል/ማሕበራዊ-ደረጃ፡ ብዝ-ኣመስሉ ክብርታት ዝረጋገጽ ኣኽብሮት እንተዘይከይዱ፡ ማንም ካልእ ዓይነት ዕብለላ ኣይቅበሉን። ምእንት'ዚ'ውን ከም ሓካይም-መኹንናት-ጠበቓ-መሃንድሳት-ካህናት-መማህራን ዝኣመስሉ ሰብ-ሞያ ብኣኽብሮት ክረኣዩ እንከለው፡ ነጋዶ-ሸቃሎ-ሓረስቶት ዝኣመስሉ ደርብታት ብዘይምስትንዓቹ፡ ማዕረኦም ይግምትዎም።

ኢትዮጵያውያን፡ ንግሪክ-ኣርመን-ናይ ሶርያ እብራይስጥ-ናይ ህንዲ ባይናን- ዝኣመስሉ ንኣሽቱ ነጋዶ፡ ብዓሚቑ ምስትንዓቕ ይግንዘብዎም። ኣይሰሓቱን ድማ።

ናይ ኣንትሮፖሎጂ ሊቃውንቲ ኩኑ፡ ብዛዕባ ዓሌት ደቂ-ሰብ ዝገደሱ ካልኦት ተመራ-መርትን ካብ ድሮ ኣትሒዞም ከም እተገንዘብዎ፡ እቶም ብርኡይ "ዘይማዕበሉ" ወይ "ድሑራት" ዝበሃሉ ሕ/ሰብ፡ ምስቶም ኣብ ማሕበራውያን እንዳታት-ዓለም "ምዕቡላት" ዝበሃሉ ዓሌት ምስ ዝዛመዱ፡ እቶም ቀዳሞት፡ ደፋእ እናበሉ ምቕሃሞም ከም ዘይተርፍ ይሕብሩ።

ዓባይ ስንል-መንሽሮ-ፍንጣጣ-ኣልከላውነት- ዝኣመስሉ ሕማማት፡ ብዙሓት ግዳያት ስለ ዘኸትሉን-ምምካን እውን ከም ሳዕቢን፡ ምንጭታት ህይወት ስለ ዝኾልፍን-እዞም ህዝብታት እዚኦም፡ ናብ ዘይተርፍ ምጽናት የምርሑ።

ሓድ-ሓደ እዋናት፡ ንደቀ'ባት ናይተን ኣብ ደቡባዊ-ባሕርታት ዝርከባ ደሴታት (ካብ መራኸቢ መስመራት ዓለማዊ-ንግዲ ብምርሓቐም ኩን/ቁጠባዊ-ኣገዳስነት ብዘይምህላዎም ካብ ህርፋን ናይ መግዛእቲ-ሓይልታት ስለ ዝደሓኑን)ነዚ ተዳኺሙ ንምቕሃም እተ-ፈርደ ህላዌኦም ንምዕቃብ፡ ብዝተፈላለዩ ዝርርቲ ሰናይ ፍሉይ ኣቓልቦ ተገይሩሎም እዩ። እዚ ግን ሓድ-ሓደ እዋን ብዘይካ'ቲ ናይ ርህራሄ ዕላማ፡ ንስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕታት እውን ዘገልገለ እዩ። ምእንት'ዚ፡እቶም ኣብ ናይ ምጽናት ሓደጋ ይርከቡ እተባህሉ ህዝብታት፡ኣብ ትሕቲ ጥንቁቕ ሓለዋ ተታሒዞም፡ ክሳብ ናይ ኣልክል መስ-ተታት እውን ፈጺሙ ከም ዝውገድ ተገይሩ እዩ።

ተመራመርቲ-ናይ ንጽህና ሊቃውንቲ-ሓካይም-ተደናገጽቲ-ናይ ሃይማኖት ሚስዮናውያን ብሰፊሑ ተኣታትዮም ክብቅዑ ግን፡ ዘኸተልዎ ለውጢ ኣይተራእየን።

እቶም ከም ኣብ ሰሜን-ኣመሪካ ዝነብሩ ቀያሕቲ-ህንዳውያን/ ማኦሪ እተባህሉ ደቀ'ባት ንዎቨ-ዘላንዳ(ኒው-ዚላንድ) ዝኣመስሉ ህዝብታት፡ ካብ ምቕሃም ኣይተናሕሰዩን።

ብዘይካ'ቲ ተጻባኢ ኩነታት ድማ፡ ቀና-ምኽንያቱ ምስቶም "ምዕቡላት" እተባህሉ ዓሌት ሓቢርካ ናይ ምንባር ዘየኽእል ባህርያዊ-ሕግታት እዩ ወሳኒ ነገር ዝነበረ።

ንሕና(ኢጣልያ) ምስ ኢትዮጵያውያን ርክብና ዝጀመርናሉ እዋናት ነዊሕ'ዩ ክበሃል እንተዘይተኻእለ፡ ኣብኣቶም እውን ከምዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ተርእዮ ከይግሃድ፡ ብጥንቃቐ ክንስተብሀሉ ይግባእ።

ፍንጣጣ ዝኣመስለ ሕማም ኣብዚ ሃገር'ዚ ካብ ነዊሕ-እዋን እዩ ኣስፋሕፊሑን-ክንክን ዘይተገብረሉን። ከም ዝመስሎ ድማ፡ "ፖርቶጊዛውያን" እዮም መምጻእቲ ጠንቂ።

ናይ ግሪክ ንኡሳን-ነጋዶ፡ ካብ ክፍለ-ዘመናት ኣትሒዞም ብዘተኣታተውዎ ወልፊ ኣል-ኮላዊ መስተ ኩን/ ባዕሎም ደቀ'ባት ከምዚ ዝኣመስሉ መስተ ናይ ምድላው ብዘለዎም ክእለትን፡ እዚ ኣመል'ዚ ካብ ነዊሕ እዩ ጸኒሑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ን 12 ክፍለ-ዘመናት ዝኣክል እተኻየዱ ቃልሲታት፡ ንዓይነታዊ ኣቃውማ ናይቲ ሕ/ሰብ ብኣሉታ እዩ ጸልዩዎ። ማለት እቲ ዝተረረ-ክፋል ናይቲ ሕ/ሰብ ኣብቲ ናይ መዋእል ውግኣት እንኪጸንት፡ እቲ ዝደኸመ ወገኑ እዩ ህላዌኡ ቀጺሉ።

ከም ደርቂ ዝኣመስሉ ውድዓውያን-ኩነታት/ ናይ ባዕሊ ሕጽረት ዓቕሚ(ክንክን ጥዕና-ዘቤታዊ ንጽህና...ወ.ዘ.ተ.)ኑቲ ማሕበራዊ-ማህሰይቲ ኣብኢሶምዎ ክብቅዑ፡ እቲ ህዝቢ ግና ኣይጸነተን።

ንወድ-ሰብ ዘኽብር ምዕቡል መንግስቲ ቆይሙ፥ ስርዓት-ማሕበራዊ ጸጥታ ምስ ተረጋገጸ፥ ደቀ'ባት መረብ/ምላሽ ዋላ'ውን ብጥንታዊ መሳርሒ-ኣገባብ ማእቶትን ተጠቒሞም፥ ኣብቲ ባህርያዊ ዝምባለኦም -ኣብ ማሕረስ እዮም ተመሊሶም። ብዕዮ ድማ ምጡን ብልጽግና ብዘረጋገጹ፥ ሓድሽ ፍረ እናሰሱ እቲ ወለዶ እውን ይብርኽት ኣሎ።

ሓይለ-ጉልበቶም ዝምልከት'ኳ፥ ብቐረባ እተገንዘብክዎ እዩ። እቶም ካብ እተፈላለዩ ሓደጋ-ቃልስታትን ከድሕኑ ዝኸኣሉ ሽማግለታት ደቂ 80 እውን ከይተረፉ፥ሰብ ምሉእ ጥዕናን-ተጸወርቲ ኣጋርን እዮም። ዕድመ ዝደፍኣ ኣንስቶም ከይተረፋ፥ ፈራያት እየን። ሰበይቲ ምስ ጻዕዳ-ጸጕራ ኣብ ውዱቕ ኣጥባታ ህጻን ኣንጠልጢላ ክተጥቡ ምርኣይ፥ ኣሕቲ ኣይኮነን። መንእሰያት እውን ኣብቲ ብኢጋ ኣብ 16 ዓመቶም ዝገሃድ ጉብዝናኦም ድሮ ሰብ-ቅውምነገር እዮም። ኣብ ነዊሕ ናይ "ማርሻ-ጉዕዞ"፥ እግረ-እግሪ ሰራዊት ደቀ'ባት ክኽተሉ ምርኣዮም፥ ዘገርም እዩ። ኣብ ዘድሊ ነቐጣ ብዝተበጽሐ ድማ፥ ዓስከር በቶም ናይ ኢጣልያ-መኾንናት ንመደብ ሓለዋ-ለይቲ ኣብ ዝእከቡ፥ እቶም መንእሰያት ከየዕረፉ ፋሕ ኢሎም ድራር ንምድላው፥ ኣብ ማይ-ዕንጸይቲ ይዋፈሩ።

ብዛዕባ ንመጻኢ ኣብ ሞንጎ ኢጣልያውያን-ደቀ'ባትን ኣብ ማሕበራዊ-ናብራ ክህሉ ዝግባእ ዝምድና ንዝምልከት ኣርእስቲ፥ እቲ ንጹታዊ-ርክባት ዝምልከት ጉዳይ እዩ ተረፉ ዘሎ።

እዚ ኣርእስት'ዚ፥ ሓላፍነቱ ብዝሰሓተ ኣገባብ፥ ብግጉይ መምርሒታት እዩ ተታሒዙ ጸኒሑ። ብመሰረቱ፥ ጾታዊ ምስትንዓቕ ዝበሃል ነገር የለን። ብሓፈሻኡ ተመስኪሩ ከም ዝረአ ድማ፥ ምትሕንፋጽ ዝኣመሰለ ተርእዮ፥ ምብርካት ወለዶ እዩ ኣኸቲሉ ዘሎ።

እዚ ግን ንጸቢብ ፍልልይ ናይዚ ክልተ-ነገድ ዘመስክር ክኸውን፥ መሰረት ብዘይርከቦ ሞጕት ብሓድ-ሓደ ናይ ኢጣልያ ወገናት ክንጸግ እዩ ጸኒሑ።

ኣብ ሞንጎ ኢጣልያውያን-ኢትዮጵያውያን ዝፍጸም ጾታዊ ምውህሃድ፥ ፍረ ዘይብሉ መኸን ርክብ እዩ ዝብል ክልሰ-ሓሳብ፥ ብሓደ ዕድመኡ ዝደፍአ ውሩይ ኢጣልያዊ በዓል-ስልጣን እዩ ዝያዳ ዘመተ ተገይሩ። እዚ ሰብ'ዚ፥ ነቲ ኩነታት ብቐረባ ክዕዘብ ንማለት ባጽዕ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፥ ብዘይካ'ቲ በብወገኑ ዝቐረበ ካልእ ተቓውሞታት፥ ኣብ ከምኡ ናይ ጥንሲ-ኩነታት ዝነበረት ሓንቲ ምልክዕቲ ጓለ'ባት፥ ነዚ መሰረት ዘይብሉ ፍልስፍና ንምቅዋም፥ «...ንባዕሉ ድአ እቲ ሹመኛ መኸን ከይከውን ?» ኢላ ተዛሪባት ይብሃል።

ተላገብቲ-ሕማማት ዓጊቱ/ጥዕና ዓሌት ደቀ'ባት መረብ-ምላሽ ክዕቅብ ዝኸኣለ ረቛሒ፥ ናይ ክበሳ ጣዕሚ ኩነታት-ኣየር(ክሊማ) እዩ ዝብል ሓደ-ሓደ ስነ-ሞጕት ምህላዎም እውን፥ ይስማዕ እዩ። መሰረት ግን ኣይርከቦን። ምኽንያቱ ድማ እቶም ኣብ «ቆላ» እተባህሉ ክፍለ-ወገናት ዝነብሩ ህዝብታት'ውን፥ ምሉእ እዩ ጥዕናኦም።

ናይ ተፈጥሮ ድልዱል-ኣካላት ደቀ'ባት ብዘየማትእ እተረጋገጸ ጭብጢ እዩ። እዚ ንምብራህ እዩ'ውን ነይሩ እቲ ዘንቀለ ዕላማ።

ብዛዕባቲ ብቋንቋ-ባህሊ-ታሪኽ፥ ቀረባ ዘመድ ህዝብታት መረብ/ምላሽ ዝኾኑ ናይ ኢትዮጵያ ህዝቢ ዝምልከት ጕድናዊ-ቅርጽታት፥ ብኩለ-እንተናኡ'ኳ ኣብ ዝሰዕብ ኣር-እስታት ክግለጽ እንተኾነ፥ሞራላውን-ማሕበራውን ትሕዝቶኡ ብሓጺሩ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

እቶም ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ "ጀበርቲ" እተባህሉ ደቀ'ባት እውን ብዝሰማምዕሉ መንገዲ፥ ባህሊ ናይዞም ህዝብታት ዓቂቡ ዝጸንሐ ረቛሒ፥ እቲ ካብ ዳርጋ 3000 ዓመት ኣትሒዙ ዝመጸ ሞራላዊ-ትሕዝቶ ዘማልእ ሕግታት ሙሴን/ ክርስትናን ከይኮነ ኣይተርፍን።

ታሪኽ ከም ዘመስክሮ ድማ፥ ኣብ ልዕል ደቂ-ኣንስትዮ ዘሎ ኣኽብሮት(ብዘይካ ኣብ ውሑድ ኣጋጣምታት፥ ክሳብ'ውን ኣብ ፖሊቲካዊ-ንጥፈታት ናይ ምስታፍ ማዕርነት) ዘመስክሮ ነገር እንተድአ ሃልዩ፥ ብደቂ-ተባዕትዮ እውን ዝእመን ሕሉፍ ቀዳምነትን/ እቶም ኣብ ክርስትያናዊ-ባህሊ ዝጸንዑ ህዝብታት፥ኣብ ልዕል ድንግል-ማርያም ዘለዎም ዓቢ እምነትን የዘኻኽር።

መሰረት ማሕበራዊ-ስርዓቶም፣ ኣብ ሕገ-ዝምድና/ ማሕበራዊ ዋንነት መሬትን እተመርኰሰ እዩ።

ዞብኣዊ ኣከፋፍላ መሬት ካብ'ቲ «ዓዲ» እተባህለ ንእስ-ኣሃዱ ኣትሒዙ፣ ክሳብ ደረጃ መንግስቲ ኰነ/ ምምሕዳር-ሕጊ፣ ካብቲ ብኣቦ-መንበርነት ሹም-ዓዲ ዝምራሕ ዞብኣዊ ቤት-ፍርዲ ኣትሒዙ፣ ክሳብ'ቲ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝበሃለሉ «መጋበእያ-ንጉስ»/ ኣገባብ ኣተዓዳድላ መሬት ማሕረስ ንጥቕሚ/ምቅሊት ንጉሳዊ-ግብሪ/ኣብ ናይ ክተት እዋናት ዝሕተት ወታሃደራዊ-ኣገልግሎት/፣ ኩሉ'ዚ፣ ብመሰረት ናይቶም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ክልተ-መትከላት ይምርሑ።

ንዓእም ምጥሓስ ማለት ድማ፣ ናብ ዘይተርፍ ፋሉላዊ-ስርዓት ምምራሕ ማለት እዩ።

ዞብኣዊ-መንግስቲ ክበሃል እንከሎ፣ ክልተ-መልክዓት ዝሓዘ ምምሕዳር ማለት እዩ ዝነበረ፥

ኣብቲ *ቀዳማይ-ገለጻኡ፣* እቲ ብ *«ፌደራላዊ-መልክዕ»* ብ *መራሕቲ-እንዳታት* ይኹን ብ ሽማግለ ዝቐውም "ባይቶ"፣ *ልኡላዊ* እዩ ዝነበረ።

ኣብቲ *ካልኣይ ድማ፣* እቶም ዝምረጹ መራሕቲ፣ ብ «ሕገ-ውርሻ» ቅቡላት ክኾኑ ይግባእ ዝብል ናይ *ተገዛእ-ቀይዲ* እውን ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ።

እዚ ኣብ መወዳእታ እዋናት ብዝያዳ እተዘውተረ ዳሕረዋይ ኣገባብ-ምምሕዳር፣ ብሓድ-ሓደ ህውኽትን-ዘይብቑዓት ናይ ወጻኢ ተዓዘብትን «መስፍናዊ-ስርዓት» ዝኸተል ኣገባብ እዩ ተባሂሉ። እዚ ግጉይ ዝኾነ ኣረኣእያ ግና፣ ብዘይካ ጥሉቕ መጽናዕቲ ብግዳማዊ ትዕዝብቲ ናይቲ ሃገር እዩ ተወሲዱ።

መስፍንነት ክበሃል እንከሎ፣ ህላዌ ሓደ ዝዕብልል ሓደ ድማ ዝዕብለል ዓሌት ዝሓተተ ስርዓት እዩ። እዚ ኩነት'ዚ ድማ፣ ብዘይካ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ብእተጋህዱ ዕልዋ-ረጽምታት እንተዘይኰይኑ፣ ሒዝናዮ ንዘለና ኣርእስቲ ዘይምልከት እዩ።

ብዝኾነ እውን " መስፍንነት " ዝበሃል ስርዓት፣ ብዛዕባ ዋንነት ሰፋሕቲ መሬት ድኣ'ምበር፣ ነቶም ኣብዚ ዞባ'ዚ"ጉልቲ-ዓዲ" ዝበሃሉ ኣገባብ ምምሕዳር ኣይዛመዶምን።

እቶም ብሓፈሻኡ«ሹም»እተባህሉ ዞብኣውያን መራሕቲ-ኣመሓደርትን/ብኣእም ዝመሓደሩ ህዝብን/ ኣባላት ሓደ-ነገድ እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ምስ ሓድ-ሓደ ኣብ ኤውሮጳ ዝርከቡ ምምሕዳራት ክመዛዘን እንተድኣ ኰይኑ፣ ነቲ " ብሩስ " ብ 18° ክፍለ-ዘመን ብዘላዓሎ ናዕቢ ዝቐሃመ ናይ ስኮትላንድ(ስኮጽያ)«እንዳ» እዩ ዝመስል። እቲ ዝተሓተ(ደረጃኡ ለጠቕ ዝበለ) ግቡር ናይቲ«እንዳ»፣ መራሒኡ ካብ ቦኽር-መስመር ናይቲ ሓባር-ነገድ ብምንባሩ፣ ንዓወት «ወድ-እንዳኡ» ይሕበኑሉ እዩ ዝነበረ። ኣብ ትግራይ-መረብ/ምላሽን ዘሎ ኣገባብ እውን፣ ከምኡ እዩ።

ስለ'ዚ እዮም'ውን እቶም«ሹም»ዝበሃሉ መራሕቲ፣ውልቀ-መለኽቲ(Dictators) ክበሃሉ ዘይከኣሉ።

ፍትሒ፣ ብህዝቢ ይመሓደር። «ማሕበር »ብዝበሃል ባይቶ-ሽማግለታት እውን ይት-ግበር። ንሕርሻ-ንጥቕምን ተባሂሎም ዝኸፈሉ መሬት ኰኑ/ ብጽሒት ግብረ-መሬት (ግብረ-መንግስቲ)፣ ብሓፋሽ-ህዝቢ ይዝተዮም። ኣብዚ ኣኸባታት'ዚ፣ ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ርእይቶኡ ኪገልጽ ዝህልዎ መሰል፣ እተሓለወ እዩ።

ፍርዲ ይኹን-ኣዋጃት፣ ብብዝሒ ድምጺ ኣኸበይናታት ኣባላት-ማሕበር ይጸድቁ።

ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት እተጋህዱ ኣሉታውያን ፍጻሚታት ንወገን ገዲፍካ 'ክስ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዘገልግሉ ቅዋማት፣ ካብቲ «ዓዲ» ዝበሃል ንእስ-ኣሃዱ ኣትሒዞም፣ ከም ትሕዝቶ መጠን፣ ኣባታውን-ደሞክራሲያውን ስርዓት እዮም ዝኸተሉ ክበሃል ምተኻእለ።

****

II.

ሃይማኖታት-ሃይማኖትን

ፍቕዲ ተወላዶ ደቀ'ባት ኤርትራ ምስ መሬቶም ተመዛዚኑ ውሑድ'ኳ እንተኾነ፣ ብዙሑ ናይቶም እተፈላለየ ነገድ/ቋንቋ/ሃይማኖት/ዘለዎም ህዝብታት እዩ እቲ ዘገርም ነገር።

እዚ ምብርካት'ዚ፣ ንቶም ከም ባጽዕ-አስመራ-ከረን-ዝኣመሰሉ ናይ ንግድ-ማእከላት እይከውንን ጥራሕ ዝምልከት። ምኽንያቱ፣ ኣብዚ ቦታ'ዚ ይኹን ኣብ ምብራቕ ዝረአዩ ናይ ዕዳጋ ሰፈራት፣ ካብ ህንዲ ክሳብ ስዊድን- ካብ ትምብክቱ ክሳብ አርመንያ፣ ብእተፈላለዩ ዕላማታት(ሓድሓደ እዋን'ውን ተጻረርቲ)፣መበቆሎም-ባህሮም-ሃይማኖቶም በበይኑ ዝኾኑ ሰባት ከም ዝውሕዝዎም፣ እተፈልጠ እዩ።

ሓፈሻዊ ኣምር እዚ ጉዳይ'ዚ ብመሰረቱ ንተወላዶ ደቀ'ባት ይምልከት። እቲ ነዞም ህዝብታት ኣብ ሰለስተ-ጉጅለ ዝኸፈለ ዋና-ኣምር እንተድኣ ተኸቲልና፣ ክሳብ'ቲ «ዘመነ-መሳፍንቲ»ኣብቂዑ(1855 ዓ.ም.)፣ሓድሽ-ታሪኽ ኢትዮጵያ በቶም «ስዩመ-እግዚኣብሄር» እተባህሉ ነገስታት ዝጅምረሉ እዋን፣ ንምክፍፋል ናይቶም ቀቢላታት ብዝመስል ኣገባብ፣ ሰለስተ ሃይማኖታዊ-እምነታት እዩ ዝነበረ፥

-ኩሻውያን ባርያ-ባዛ፣ ሰዓብቲ ሓደ ኣብ ብዙሕ ትእምርትታት ዝምልኽ እምነትን-ጸሎት ዘየዘውትር ሃይማኖትን እዮም ዝነበሩን-ዘለውን።

-ሓማውያን ብዘይካ ቦጎስ፣ ኩሎም ጽኑዓት ምእመናን ሃይማኖት-እስላም እዮም።

-ሰማውያን ብብዝሒ "ሞኖፊዚታውያን" ክርስትያን እዮም። እዚ ሃይማኖት'ዚ፣ ንቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ብጌጋ ዝገልጸ ኣበሃህላ፣ "ተዋህዶ" እውን ይበሃል እዩ።

ካብዚ ዳሕረዋይ-ጉጅለ ወጻኢ ክበሃሉ ዝኽእሉ፣ እቶም ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ኣብ ባጽዕ-ሰምሃር ዝነብሩ ህዝብታትን/ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ሓባብ/ ኣገዳስነት ዘይብሎም ውሑዳትን ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ፋሕ ኢሎም ዝነብሩ ካቶሊክ እውን ምህላዎም ምግንዛብ ይግባእ።

ኣብ ሞንጎ'ዚ ሰማዊ-ጉጅለ "ጀበርቲ" እተባህሉ ውሑዳት እስላም እውን ይርከብዎም (ብዛዕባ እዚኦም ግን፣ ሰኒቡ ዝግለጽ እዩ)። እዚ ናይ ጀበርቲ-ጉጅለ፣ ፍሉይ ኣተሓሳስባ-ባህልን ዘላዩ፣ ርእሱ ዝኽኣለ ጉጅለ እዩ ዝነበረ። ከምዚ ክበሃል እንከሎ ግን፣ ካብ ማሕበራዊ-ናብራ ናይቲ ዝርከብሉ ቦታታት፣ ኣይንጸሉን ዝነበሩ።

እቲ ንምትእትታው እንግሊዛውያን ዝዓደመ ናይ ሃጸይ-ተድሮስ ዓበድበድ፣ካብኡ ንሳዕሊ ድማ፣ እቲ በዚ ሃጸይ'ዚ ጀሚሩ ብዮሃንስ ዝቐጸለ ናብ ባሕሪ-ገጹ ዝጥምት ሰፊሕ ውጥናት ዳግመ-ህንጻ ንግስነት ኢትዮጵያ፣ ንብዙሓት ሓያላን እተባህሉ መንግስትታት ዘሻቐለ ጉዳይ እዩ ዝነበረ። ብሕልፊ ንቶም ካብ ምርሓው መትረብ-ስወጽ ኩነ/ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ካብኡ ዝኾተል ረብሓ እተገንዘቡ ሓያላን።

ምናልባት በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ'ውን እቲ ኣብ ባጽዕ/ኣብ ምሉእ ምብራቕን-ደቡባዊ ገማግም ባሕርታት ኣፍሪቃ-ክሳብ ምንጭታት ፈለግ ጁባ/፣ ዋላ'ውን ብግዳማዊ-መልክዕ ዝጸንሐ ግዝኣት-ቱርኪ፣ ቡቲ ግብራዊ-ሓለዋ ዝነበር ናይ ግብጺ-መግዛእቲ ተተኪኡ።ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ድማ እዩ፣ ስነ-ፍልጠታውን/ሃይማኖታውን/ዲፕሎ-ማስያውን ልኡኻን(ሊጋሰዮን) ንኢትዮጵያ ክእትው ጀሚሮም።

"ካቨር" እተባህለ ኢጣልያዊ እውን(ቡቲ ንእምሮ-ሊቃውንቲ ፍሉይ ዝገብሮ ኣቓዲምካ ናይ ምሕሳብ ተውህቦ)፣ ከምዚ ዝኣመሰሉ ምስለኔ ንኤርትራ ኩነ ንሸዋ እተባህለውን-ልኢኹን። ኣብቲ እዋን'ቲ ድማ ካቨር፣ ንጉሳዊ-ሚኒስተር ናይቲ "ንግስነት-ሳርደኛ"

ዝበሃል ክፍሊ እዩ ብፍላይ ዝነበረ መዝነቱ። ብድሕር ሞቱ ዛጊት፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ዝምልከት ፖሊቲካዊ መዳይ፡ ኣብ ኢጣልያ ንዓኡ ዝመስል ኣመሓዳሪ ኣይተረኸበን።

ብዝኾነ ግና፡ ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ እዩ ብምትብባዕ-ረጽሚ-እስላማዊ ፕሮፓጋንዳ መማዝእቲ-ግብጺ ክስፋሕፋሕ ክኢሉ።

እዚ ኣብ ሞንጎ'ቶም ብምዕራብ ሓባብ ዝነብሩ ህዝብታት-ኤርትራ እተኻየደ ዘመተ፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ግብጺ ነቲ ኣብ ሱዳን ዝነበሮ ዋንነት- ምስቲ ብቱርኪ ንምምሕዳር እተፈቕደ ቦታታት ንምጽምባር እተኻየዱ ናይ ወረር-ፍጻሜታት እዩ ተወሃሂዱ።

እዚ ጆግራፍያዊ-ቀጻልነት ዘይነበሮ ምትእስሳር፡ እንተላይ ንናይ ስዊድን ከኒሻ-ሚስዮን ኩነ ነቶም ብድሮ ንናይ ኢጣልያ "ሳዛሪስቲ" ተመሓላሊፎም ዝጸንሑ ናይ ከረን - ኣኸሩር ካቶሊካውያን ሚስዮናት እውን ዝምልከት እዩ ነይሩ።

ብሰፊሑ ምግላጽ ኣድላይ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ክጥቀስ ዝግባእ፡ እዚ ናብ«ስርዓት-ሳዛሪስቲ ኢጣልያ» እተመሓላለፈ ካቶሊካዊ-ሚስዮን፡ ዓቢ ተቐባልነት ደቀ'ባት ረኺቡ ብእዋኑ እዩ ክዕወት ጀሚሩ። ምእንት'ዚ እዩ'ውን፡ መስፍን መረብ/ምላሽ ዝነበረ ደጊያት-ሃይሉ (ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ መረብ/ምላሽ ክበሃል እንከሎ፡ ንምሉእ'ቲ ብ ሰሜን-መረብ እንተላይ መሬት-ማርያ ዘጠቓልል ሃገር እዩ ዝምልከት ዝነበረ) ርእሶም ክኸእሉ ንማለት፡ ነዞም ናይ ካቶሊክ-ሚስዮናት እተፈላለዩ መሬት-ሕርሻ ኣወፍዮሎም።

ብሳላ ጽዓት ከም ኣባ-ያኮቢስ/ ብያንከሪ/ ሳፐቶ/ ካልኦት ኢጣልያውያን ሳዛሪስት ዝኣመሰሉ ዜጋታት እዩ ተቐባልነት-ኢጣልያ ክብ ክብል ክኢሉ።

ኣብ እዋናት ናይቲ ልሕሉሕ ግዝኣት ኣገው-ንጉስ ድማ፡ "ረጽ" እተባህለ ኢጣልያዊ ተወላድ ሲቺልያ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ-ኣስመራ ክኸውን ከም እተመርጸ ዝዝከር እዩ።

እቶም ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ግብጺ ዝኣተው ሰማውያን-ህዝቢ ዝነብርዎም ዓድታት፡ ከም ሳዕቤን ናይ እተጠቕሰ ፕሮፓጋንዳ፡ ብዘይካ ሓደ-ክፋል መንሳዕ(ኣብ ገለብ ስዊ-ድናዊ ሚስዮን-ከኒሻ ስለ ዝቖመ)፡ ብምሉኦቶም ኣብ ምስልምና ኣመኑ።

ከምኡ'ውን ሓደ-ክፋል ሓማውያን-ቦጎስ ኣብ ምስልምና እንኪኣምን፡ እቲ ካልኣይ-ክፋሉ ብስብከት ናይቶም ኣብ ከረን ዝነብሩ ሳዛሪስቲ፡ ካብ ክርስትያን-ተዋህዶ ናብ ካቶሊካዊ-እምነት ክጥርንፍ ተራእዩ እዩ።

ብዛዕባ'ቲ ብፍላይ ዘገድስና መረብ/ምላሽ ንዝምልከት ክጥቀስ ዝግቦእ ድማ፡ ብዝሒ ናይቲ ሓፋሽ-ህዝቢ ብንቕሓት-ብፍታውን ኣብ ናይ ተዋህዶ-ክርስትያን እምነት ጸኒዑ'ኳ እንተተረፈ፡ ሃይማኖቶም ዝለወጡ ብዙሓት'ውን ኣይተሳእኑን።

ኣብ ሰራዌ ንኣብነት፡ ካብ ተዋህዶ ናብ ምስልምና ዝኣመኑ/ ኣብ ሓማሴን፡ ከኒሻ ዝኾኑ/ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ድማ፡ ሃይማኖት-ካቶሊክ እተቐበሉ፡ ብዙሓት ኣብነት ይርከቡ። ብሕልፊ እውን ከምዝ ሕጂ ንሕና(ኢጣልያ) ከበሳ ነመሓድር ኣብ ዘለናሉ እዋናት፡ ናይ ሃይማኖት ነጻነት ተፈቒዱ፡ በዞም እተጠቕሱ ሃይማኖታት ዝወሃብ ኣስተምህሮ፡ ብጻዕቂ እዩ ፕሮፓጋንዳ ዝግበረሉ ዘሎ። ኣብዚ እዋናት'ዚ ድማ፡ ሰብ-ፕሮፓጋንዳ ዝጥቀሙሎም መሳሪሕታት ኣቐዲሙ ክፍለጥ ስለ ዘይከኣል፡ኣብ መንፈሳዊ-ህይወት ደቀ'ባት ክኸትሎ ዝኽእል ለውጥታት እዚ ክኸውን እዩ ምባል ኣይድፈርን። እዚ ናይ ማዕርንት መሰል እተፈቕደሉ እዋን'ውን ንባዕሉ ሓጺር ብምዃኑ፡እቲ ሓፈሻዊ ውጽኢት እዚ ክኸውን እዩ ክበሃል ኣይከኣልን።

ሃይማኖታዊ ሕቶን-ናይ ኣፈታትሓኡ ኣገባብን፡ኣብ ማሕበራዊ-ናብራ ዓቢ ኣገዳስነት ስለ ዝግበረሉን/ ስዒቡ ድማ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ክስፋሕፋሕ ስለ ዝኾነን፡ ብዛዕባኡ ሓድሓደ ሓበሬታ ምቕራብ ኣገዳሲ ይኸውን።

ብዛዕባ'ዚ ጉዳያት'ዚ ግና እኹል ኣፍልጦ ብዘይምህላወይን-ዘቕርቦ ርእይቶ ድማ ወገናዊ ከይከውንን፡ ንነፍስ-ወከፍ ሃይማኖት ዝምልከት ገለጻ፡ ብቑዓት ምስ ዝበሃሉ ሰባት ተዘራሪበን-በብወገኖም ሓቲተን፡ ንነፍስ-ወከፍ ሃይማኖት ዝምልከት ህልዊ-ኩነታት ኮነ/ ንመጻኢ ዝግምትዎ ምዕባለን ዝሃቡኒ መልሲ፡ ከም ዝበልዎ ንኣንባቢ የቕርበሉ።

ክብርን-ትሕዝቶኡን ብዝግባእ ንምርዳእ ግና፡ ነቶም እርባዕተ-ሃይማኖት ዝምልከቱ፡ መባእታ ሕግታትን-መንፈሳዊ ገለጻእምን፡ እቕዲምካ ምርዳእ ይግባእ። እዞም እርባዕተ-ሃይማኖት እዮም'ውን መንፈስ ደቀ'ባት መረብ/ምላሽ ንምብሓት ኣብ ቃልሲ ዝርከቡ። ንኩሉ ብሩህ ከም ዝኾነ ድማ፡ ብዛዕባ ሃይማኖት-ካቶሊክ ኮነ/ ናይ ስዊድን ከኒሻ ሃይማኖትን፡ ኣይከዋቀስን እዩ። ኣብቶም ብስንኪ ዋሕዲ-ኣፍልጦ ብዙሕ ዘጋጥሞና-(ንኢጣልያ) ሃይማኖት ክርስትያን-ተዋህዶ/ ምስልምናን ዘተኮሩ ሓበረታ ኢና ክንድህብ።

***

ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ብዛዕባ ዝና ንግስቲ-ሳባ ኣብ ዝጠቕሰናሉ፡ ኢትዮጵያውያን፡ ነቲ ኣብ ሃገሮም ዝጸንሐ ሳባዊ-ሃይማኖት ተኪኦ ሕገ-ሙሴ ዘተኣታተወ ብልጫ፡ ነዛ ንግስቲ ከም ዝኣምኑላ ተገንዚብና ነይርና። ሕገ-ሙሴ ስውጢ ክይተገብረሉ ኣሰዒቡ ሃይማኖታዊ-እምነት ህዝቢ-ግእዝ እዩ ኮይኑ ጸኒሑ።

እዚ ብብዙሓት ሰነዳት ዝምስክር ታሪኻዊ-ፍጻሜ፡ ኣብ 8ይ ምዕራፍ ግብረ-ሃዋርያት ብዛዕባ'ቲ ኢትዮጵያዊ ስሉብ ሰብኣይ ኣብ ህንደኬ ንግስቲ-ኢትዮጵያ በዓል ስልጣን-ኣዛዚ ኩሉ ጥሪት-ንብረታ ዝነበረ ኣብ ዝጥቀሰሉ እውን ዝረጋገጽ እዩ።

ንሱ፡ ንንግደት እዩ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ዝነበረ። ኪምለስ ከሎ ከኣ፡ ኣብ ሰረገላኡ ተቐሚጡ ትንቢት-ኢሳያስ የንብብ ነበረ። ኣብቲ «...ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ተሳሕበ፡ ኣብ ኢድ ቆራጺኡ ስቕ ከም ዚብል ገንሸል ከኣ፡ ከምኡ ኣፉ ኣይከፈተን...» ዝብልን ዝስዕብ ጥቕስታትን እዩ ኣተኩሩ ዝነበረ።

እዚ ዘይበርሀ ጥቕሲ፡ ንመንፈስ ናይቲ ኢትዮጵያዊ ኣጨኒቕዎ ኣብ ዝነበረ፡ ብእግዚኣብሄር መልኣኽ ተላእከሉ። ከም ፊሊጶስ-ሃዋርያ ቀረቦ ድማ፡ ኣፉ ከፈቱ፡ ካብዛ ጽሕፈት ጀሚሩ ብዛዕባ የሱስ ወንጌል ሰበኸሉ። መንገዲ 'ኪኸዱ ከለው ድማ፡ ናብ ማይ በጽሑ። እቲ ኢትዮጵያዊ፡ እንሆ ማይ፡ ከይጥመቕ እንታይ ይኽልክለኒ በለ። ፊሊጶስ ከኣ፡ ብኹሉ ልብኻ እንተ ኣሚንካስ፡ ይኾነልካ እዩ በሎ። ንሱ ከኣ፡ የሱስ ወድ-ኣምላኽ ምዃኑ እኣምን ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ። ነታ ሰረገላ ደው ኪብልዋ ኸኣ ኣዘዘ፡ ፊሊጶስን እቲ ስሉብን ክልቲኣቶም ናብቲ ማይ ወረዱ፡ ኣጥመቖ'ውን።

ከምዚ'ሉ፡ እቲ ስሉብ ንግስቲ-ኢትዮጵያ እዩ ካብ ተኸተልታ፡ እቲ ቀዳማይ ካብ ሕገ-ሙሴ ናብ ክርስትና ሃይማኖት ዝኣመነ።

ሃይማኖት-ክርስትና ግን፡ እዝዩ ብድሕር'ዚ ፍጻሜ እዩ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኣስፋሕፊሑ። እዚ'ውን ብ ፍረመናጦስ- ኣደዝዮ እተባህሉ ክልተ ብጹኣን እዩ ጀሚሩ።

እቲ ዓብላሊ ሰማዊ ስርወ-ሰማዊ ደርብን(ማለት እቶም ኣግኣዚ) ነዚ ሓድሽ-ሃይማኖት ብታሕጓስ እንኪቕበሉ፡ እቶም ተመሊኾም ዝጸንሑ " ሓማውያን ህዝብታት " ግን (ብሕልፊ ናይ ላስታ-ኣገው ምድር)፡ ነጸግዎ።

ንዝጸንሐ እምነት ሕገ-ሙሴ ካብ ምዕቃብ ሓሊፎም'ውን፡ ናዕቢ ኣለዓዒሎም ንኣባላት ሰሎሞናዊ-ስርወ ቀንጸልዎም። ካብዚ ሃልቕ'ዚ ግን፡ ሓደ-መንእሰይ እዩ ንበይኑ ብተ-ኣምር ክምልጥ ክኢሉ፡ ኣብ "ሸዋ" ዑቕባ ረኺቡ ድሒኑ። ከምዚ'ሉ ድማ ኣብ ሞንጎ 10ይ-13ን ክፍለ-ዘመን ናይ ዘለናዮ መዋእል፡ ሃይማኖተ-ሙሴ እንደገና ዓብላሊ መንግስታዊ-ሃይማኖት ኮይኑ፡ ንጉሳዊ-ስልጣን ናብቲ ዛጔ እተባህለ ሓድሽ ስርወ ተመሓላለፈ።

ገለን ከም ዝብልዎ ብወርሒ-ሕዳር 1240 ዓ.ም. -ሓድሓደ ጭብጢ ከም ዘቕርብዎ ሓበረታ ግን ብ 1255 ዓ.ም.- ንሀንኮቶ ለ-ኣብ እተባህለ ሃጸይ ካብ ስርወ-ዛጔ (ህዝቢ ዛጔ፡ ከምቲ ኣብ ላስታ/ ኣገው ምድር ዝነበረ ህዝቢ፡ ኣብ ክርስትና እዩ ኣሚኑ ጸኒሑ) ብፍታው እዩ ዝፋኑ ን የከን-ኣምላክ ኣመሓላሊፉ።

የኮን-ኣምላክ፡ ካብቲ ብ 950 ዓ.ም. እተገብረ ጃምላዊ-ቅትለት ከምልጥ ካብ ዝኸኣለ ሓደ-ጨንፈር ዝመጸ ሕጋዊ-ወራሲ ሰሎሞናዊ ስርወ እዩ። ንዓኡ ኣብዚ መዝነት'ዚ ብወግዒ ዝባረኽ ድማ፡ ሓበሻ ከም ዓቢ ጸድቕ ዘኽብርዎ *ተክለ-ሃይማኖት* ብሰለስተ ኣስማቶም ዛጊት ኣብ ኢትዮጵያ ብዓቢ ኣምልኾት ዝዝከሩ ካህናት ተዓጂቡ እዩ።

ኣቡና ተክለ-ሃይማኖት፡ ነቲ ሕጋዊ-ስርወ ኣብ ዝፋን ምምላስ ከይተወሰነ፡ ኣድለይቲ እተባህሉ ሕግታትን-መምርሒታትን ብምትእትታው፡ ቅውም ስርዓት ጽሕፈታትን-ዲሲፕሊን ቤተ-ክህነትን እውን፡ ቀይዲ ዝዝበረ እዩ። ዓመጽ-ጊጋታትን ወጊዱ ኣመ-ሓይሹን፡ ንቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ብቅውም፡ ኣብዚ ሎም ዝርከቦ ኩነታት ዘሳገረ እውን፡ ኣቡና ተክለ-ሃይማኖት ምኻኑ ይዝከር።

መሰረታዊ እምነት ናይዚ ቤተ-ክርስትያን'ዚ፡ ካብቲ ናትና(ኢጣልያ)ብዙሕ ኣይ-ፍለን።እቲ ዋና ካብ ናይ ካቶሊክ ኣስተምህሮ ዝፈልዮ ርእሰ-ነገር፡ *ቅዱስ/ስብኣውን* እተባህለ ክልተ-ባህርያት ክርስቶስ፡ ኣብ ሓደ ስለ ዝጠምሮ እዩ።

ተዋህዶ ክርስትያን ዓድ-ሓበሻ፡ ሰዓብቲ(ተኸተልቲ)ናይቲ *ነስቶርዮ-ኤውቲክ-ዲዮስኮሮ* እተባህሉ ፍላስፋታት ብዘልዓልዎ ክትዓት መሰረት «ሞኖፊዚታውያን» ተባሂሎም ከም "መናፍቕ" ዝፍለጡ ጉጅለ እዮም።

ብዛዕባ'ዚ መሰረታዊ ነጥቢ ክብርሃለይ ንማለት፡ ንሓደ ውሩይ ናይ ኢጣልያ-ካቶሊካዊ ሚስዮን ሓላፊ ተወኪሰ (ስሙ ምርቋሕ ኣይተፈቕደንን) ዝረኸብክዎ ሓበረታ፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ፥

ነስቶርዮ፡ ብ 428 ዓ.ም. እዩ ኣብ "ቆስጣንጢኖፖሊስ" ዝነብር ነይሩ። ብዘይካ ክልተ ባህሪ- ክልተ ስጋዊ እንታይነት ክርስቶስ ይሰብኽ ብምንባሩ፡ ኣብ ሞንን'ቲ ዝሰመረ ቃልን/ ወድ-ማርያምን፡ ፍልልይ ኣሎ ዝብል እዩ ስነ-ሞጎቱ። በዚ'ውን ን ማርያም «ክረስቶቶክስ» ማለት ወላዲት ክርስቶስ ድኣ'ምበር፡ «ተኦቶክስ» ወይ ወላዲት ኣምላኽ ኢሉ ኣይጠቅስን።

ኣብ ሃይማኖት-ጠቀስ "ጉባኤ-ኤፌዞ" ድማ ብ 433 ዓ.ም. ተኾነነ።

ኤውቲክ ነቲ ብ ነስቶርዮ እተፈጸመ ጌጋ ንምእራም፡ ክርስቶስ ቅድሚ ስጋ ምልባሱ፡ ክልተ-ባህሪ እዩ ነይርዎ ይብል። እዚ ክልተ-ባህሪ ሓቢሩ ስጋ ምስ ለበሰ ድማ፡ ሓደን ዘይንጸልን ባህሪ ይኸውን ዝብል እዩ ሃሚናዊ ስነ-ሓሳቡ። እዚ'ውን ብ 448 ዓ.ም. ኣብ "ሓውሰ-ጉባኤ ቆስጣንጢኖፖሊስ" ተኾነነ።

ድዮስኮሮ፡ ናይ እስክንድርያ-ኣቡን ምስ ተባህለ፡ በብቕሩብ ምስ ኤውቲክ እናተሰማምዐ ብ "ሃጸይ-ተዎዶዝዮስ" ነቲ ኣብ ቆስጣንጢኖፖሊስ እተዋህበ ፍርዲ፡ ዳግመ-ግምት ክግበረሉ፡ ጠቕላሊ-ጉባኤ ኣብ "ኤፌዞ" ምጽዋዕ ተፈቕደሉ። ኣብቲ ብ 449 ዓ.ም. እተኻየደ ጉባኤ ድማ፡ ኤውቲክ ብብዝሒ ድምጺ ሓራ ተባሂሉ፡ እቲ እንጻሩ እተላዕለ "ፍላቭያኖ" ምስ ሰዓብቱ ን ሞት ተፈርዱ።

ትምህርትታት ድዮስኮሮ ኰን ኤውቲክ፡ ኣብቲ ስዒቡ በቲ "ለኦነ" እተባህለ ጳጳስ እተጸውዐ «ጉባኤ-ካልቸዶንያ»(451 ዓ.ም.)፡ «ኑፋቄ» ተባሂሎም ተኾነኑ። ኣብቲ ጉባኤ ዝጸደቑ ውሳኔታት፡ ብናይ ግሪክ ኦርቶዶክስ ቤተ-ክርስትያን እውን ቅቡላት ምኺኖም ምጥቃስ ይግባእ።

ሰዓብቲ ኑፋቄታት(*መናፍቕ*) ኣብ ሓድነት ባህሪ-ክርስቶስ ብዘለዎም እምነት እዮም «ሞኖፊዚታውያን» ተባሂሎም።

ሓበሻ፡ *ንኤውቲክ* ኰኒኖም *ንድዮስኮሮ* ከም ብጹእ ይፈልጥዎ። ኣብዞም ክልተ-ተመራመርቲ ዘሎ ፍልልይ ሃይማኖታዊ ኣረኣእያ፡ብልክዑስ ንዓይ'ውን ኣይተረዳኣንን። ኣብ ቀዳማይ ትዕዝብቱ ግን፡ ኣብ ሞንጎኦም ፍልልይ ዘሎ ኣይመስለንን።»

እዚ፡ በቲ ሚስዮናዊ እተዋህበኒ ሓበረታ እዩ።

ብርእይቶይ(ደራሲ)፡ ናይ ኢትዮጵያ ሞኖፊዚታውያን ንባዕሎም፡ ጉዳይ ናይቲ ክርክር ብልክዑ ዝተረድእዎ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ብዘይካ'ቲ ረቂቕቲ ሓሳብ ንምግላጽ ዘደንቕ ተኽእሎ ዝርከቦ *ቋንቋ-ግሪክ* (ኣብ ርቀት-ሓሳብ/ ተምሳልነት ናይ ምግላጽ-

ተመኩሩ እተጸርበ)፣ ዝኾነ ካልእ ቋንቋ ንዓኡ(ግሪክ) ኣተርጒሙ፣ ኑቲ ሕቶ ብልክዑ ንምርዳእ፣ ብቕዓት ዘለዎ ኣይመስለንን።

ጥንታዊ-ግእዝ ኮነ፣ ካብኡ ዝበኣሰ ድማ ጊዜያውያን ቋንቋታት-ኢትዮጵያ ክስተርጕምዎ ዝኽሉ ጉዳይ ኣይመስለንን። ናይ'ዚ ሓቅነት'ዚ ጭብጢ ዝኾውን ድማ፣ ክርስትያን ተዋህዶ ዓድ-ሓበሻ፣ ሓደ-ባህሪ ክርስቶስ ንምእማን ተሰማሚዖም ከብቅዑ፣ ኣስዒቦም ኣብ ኣተረጓጕማኡ ብዘይምስናይ ኣብ ሰለስተ-ጉጅለ ምግምማዮም እዩ። እዚኦም ድማ፣

የሲጋ-ልጅ (ቃል ንቻሉ፣ ወድ-ሲጋ)፣ኣብ ዓድ-እምሓራ/ሸዋን ይዝውተር። ተኸተልቲ ፍልስፍና-ነስቶርዮ ይመስሉ። ምኽንያቱ ድማ ንሰም ከም ዝኣምንዎ፣ የሱስ፣ ብሲጋ ወድ-ማርያም ድኣ'ምበር፣ ወድ-ኣምላኽ ኣይኮነን። ስዒቡ ብተገብአ እዩ መለኮት ናብኡ ወሪዱ -ምሳኡ ተወሃሂዱ ይብሉ። እዚ ብቀንዱ በቲ ውሩይ ገዳም «ደብረ-ሊባኖስ ሸዋ» ዝድገፍ ኣስተምህሮ፣ ንተፈጥሮኣዊ-መለኮት የሱስ ከም ወድ-ሰብ፣ ኣይቕበሉን።

ቅብኣት ተባሂሎም ኣብ ጎጃም -መረብ/ምላሽ ዝነብሩ ህዝቢ ከም ዝኣምንዎ ድማ፣ ብድሕሪ'ቲ ኣብ ዮርዳኖስ እተገብረ ስርዓት-ጥምቀት እዩ(ማለት ብቕብኣት)መንፈስ-ቅዱስ ወሪዱ፣ ብፍቓድ ኣምላኽ የሱስ እውን ከም ወድ-ሰብ መጠን(ማለት ብሲጋ) ኣካል ናይቲ መለኮት ዝኾውን።

ኣቡናውያን ወይ ካሪ-ሃይማኖት፣ «ተዋህዶ» እውን ዝበሃሉ፣ ኣብ መወዳእታ ከም ዝኣምንዎ ድማ፣ የሱስ፣ ሲጋ ካብ ዝለበሰሉ እዋን ኣትሒዙ እዩ መለኮታውን-ሰብኣውን ክልተ-ባህርያቱ ብዘይፍታሕ ኣገባብ ሓደ ዝኾውን። ከምዚ'ሉ እውን መንፈስን-ሲጋን ተዋሃሂዱ እዩ ሓደ-ባህሪ ዝለብስ ይብሉ። እዚ ብቀጥታ ብኣቡን ተደፊኡሉ(ስለ'ዚ'ውን ኣቡናውያን ዝበሃሉ) ኣብ ትግራይ ዝዝውተር ኣስተምህሮ ከም ዝኣምኖ፣ መድሃኔ-ዓለም፣ ከም ወድ-ሰብ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ከም እግዚኣብሄር ከኣ እዩ ብሲጋ ተሳቒዩ ዝመውት። ብእምነቶም፣ ናይዚ ክልሰ-ሓሳብ'ዚ ርግጽነት፣ ኣብ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ (5ይ ምዕራፍ/ ካብ 6-11 ኣብ ዘሎ ፍቕድታት) ኣብቲ የሱስ ዘይኮነስ፣ ክርስቶስ እዩ ምእንቲ ሓጢኣትና ዝሞተ ዝብል ጥቕስታት ይምርኮሱ።

ብዘይካ'ዚ፣ ንግሪካውን-ላቲናውን ቤተ-ክርስትያን ብሓደ ወገን/ ኢትዮጵያዊ ቤተ-ክርስትያን ድማ በቲ ሓደ፣ ዝኸፋፈለ ጥንታውን-ዋናን ፍልልይ፣ ኣብ ካልቸዶንያ ኮነ ካልኦት ጉባኤታት ብዝሓለፉ ውሳነታት መሰረት፣ ሞኖፊዚታውያን ዘይቕበልዎን-ዝነጽግዎን ካልእ ፍልልያት'ውን ስዒቡ እዩ።

ሃጸይ ዘርአ-ያቆብ ብ 1439 ዓ.ም. ኣብ «ጉባኤ-ፈረንጺ» ብክልተ መነኮሳት ተወኪሉ ምቕራቡን/ ኣብ እዋን ንግስነት ሃጼያት ዘ ድንግል-ያቆብ/ ብሕልፊ ግን ኣብ እዋናት ናይቲ ንያቆብ ዝወረሰ ሃጼይ ሱስንዮስ(ወይ መልኣክ-ሰገድ)፣ ማለት ኣብቲ ኣብ ሞንጎ 1595-1639 ዓ.ም. ዘሎ እዋናት ዝነገሰ ስርወን-ሳዕለዋይ ደርቢ ዓድ-ሓበሻን/ ንሃይማኖት ካቶሊክ ብወግዒ ምስ ፈለጥዎ እዩ፣ እዚ ሃይማኖት'ዚ እብቲ ሃገር ብዙሓት ሰዓብቲ ክረክብ ክኢሉ።

ክኾውን እውን፣ ብውልቃዊ-ተበግሶ ናይቲ ፍልጠት-ሕያውነት-ዓቕሊ-ተጻዋርነት ዘሓል-ይዎ ናይ " ስርዓት-ጀዙዊቲ " ሚስዮናዊ ዝነበረ «ፒየትሮ-ፓእዝ» እዩ ኣብ ግብሪ ክውዕል ክኢሉን ኣወንታዊ-ውጽኢት ረኺቡን። ፓእዝ ብዝሞተ ግና፣ንግስነት-ኢትዮጵያ ብወግዒ ንካቶሊካዊ-ሃይማኖት፣ ከም ሃይማኖቱ ተቐቢልዎ እዩ ካብ ዝብል ጉጉይ እተሓሳሰበ፣ «ኣባ ኣልፎንሶ መንደዝ» እተባህለ፣ ንሱ'ውን ካብ ስርዓት-ጀዙዊቲ፣ ብትርያርክ (ኣበው) ተባሂሉ ካብ ሊዝቦና(ፖርቱጋል) ተላእኸ። እተጠቕሰ ሓላፊ ግን፣ ናይ ትሕትና ኣገባባት ረሲዑ፣ ብሓይሊ-ተሪር ኣገባብን ሃይማኖቱ ክዘውትር ብዝብል እተሓሳሰበ፣ ኣብ ዘይምልከቶ ውሽጣዊ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ኢድ ብምትእትታው ምስቲ ስርዓት ተጋጪወ'ሞ ኑቲ ብቕድመኡ ብፓእዝ እተበገሰ ዕዮታት ኣምከኖ።

ብሰንክ'ዚ እውን ፈቆዶኡ ኣብ ኢትዮጵያ ዓበይቲ ናዕብታት ተላዕሉ።

ጋላ በዚ ተጠቒሞም፣ንሰፋሕቲ መሬት ደቡባዊ-ክፍሊ ብቐዋሚ ክመልኩ፣ ሓደስቲ ወረ-ራቶም ኣበገሱ።

ነዚ ደረት ንምግባር እዩ ሃጸይ-ፋሲሊዳስ(ፋሲል)ወይ ሰልጣን-ሰገድነቲ ዝጸንሐ ርእሰ-ክተማ ናይቲ ንግስነት ካብ ኣኽሱም ንጐንደር ኣግዒዙ፡ ሃይማኖት-ካቶሊክ ወጊዱ ነቶም ጀዙዊቲ እተባህሉ ሃዋርያ ናይዚ ሃይማኖት'ዚ፡ ሃገር ክለቁ ኣዚዙ። ካም ሳዕቤን ናይዚ ድማ ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ኣብቲ ካብ ካቶሊክ ዝፈልዮ ተኦሎጅያዊ(ትምህርተ-ሃይማኖት) ሕቶታት ኣተኩሩ፡ ኣብ ጥንታዊ መርገጺኡ ጸንዐ።

እዚ ክልተ ሃይማኖታዊ-ትምህርቲ፡ በቶም ትሑታን ደርቢ ዘይፍለጥ-ዘይርዳእን'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ መሰረቱ ውሑድ ፍልልይ እዩ ዝርከቦ። እድማኡ ሓደ- ኣብ ክርስቶስ ዘሎ እምነት ሓደ- እቲ ብሓበሻ ብርሁሩህ ስምዒት ዝግለጽ ኣብ ድንግል-ማርያም ዝዝውተር ኣኽብሮት ሓደ- ኣብ ጻድቃን ምስሊታቶምን ዘሎ ክብሪ፡ ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ፍቕድን-ዓይነት ምስጢራትን(ናይ ሃይማኖት-ምስጢራት) እውን ፍልልይ ኣይርከብን። ናይ ኢትዮጵያ ቤተ-ክርስትያን ከምቲ ናይ ላቲን፡ ንምውታን ተባሂሉ ዝፍጸም ምህለላ ብኣምላኽ ይሰማዕ እዩ ዝብል እምነት እውን የዘውትር።

ኣብ ቤተ-ክህነት ዘሎ ጽፍሕታት ንዝምልከት'ውን፡ ዘሎ ፍልልያት፡ ውሑድ-ዘይመሰረታውን እዩ። ስርዓት-ክህንነት ኣብ ምምዳብ ዘሎ ብቕዓት-ሕጋውነትን እውን፡ ብርእይቶይ ፍልልያት ዘለዎም ኣይመስለንን።

ብጹእ ኣቡና ተክለ-ሃይማኖት ኣቕዲሙ ብዝሃቦ ውሳነ መሰረት፡ መላእ-ኢትዮጵያ፡ ብሓደ ኣቡና(ኣቦና) ዝምራሕ ሓደ-እምነት ይህልዎ። እተጠቕሰ ኣቡና፡ ባዕዳዊ እምበር ወደ'ባት ክኸውን ኣይግባእን። መራጺኡ ድማ፡ ኣብ እስክንድርያ-ግብጺ ዝነብር ናይ ተዋህዶ ብትርያርክ እዩ። ናይ ኢትዮጵያ ቤተ-ክርስትያን እውን ንባዕሉ፡ ብኡኡ እዩ ዝመሓደር።

እዚ ኣብ "ኣኽሱም" ክነብር ዝግባእ«ኣቡና» ዘለዎ መዝነት፡ ብፍላይ ንቤተ-ክርስትያን እዩ ዝምልከት። ንሱ'ውን ብብዙሓት ቀይድታት። ንኣብነት፡ ነቲ "ሜሮን" እተባህለ ቅዱስ-ቅብኣት፡ ባዕሉ ኪባርኾ ኣይፍቀድን። ካብ ናይ «እስክንድርያ ብትርያርክ» እዩ ዝለኣኽሉ።

ኣቡና፡ ብሓደ "እጨጌ" እተባህለ ልኡል-ካህን ይድገፍ። ትርጉሙ ቃል-ንቓሉ እንታይ ምኳኑ'ኳ ክፈልጦ እንተዘይከኣልኩ፡እጨጌ፡ በንጉስ እዩ ከም መራሒ ናይቶም ምዱባት-ዓለማውያን ተባሂሎም ዝኸፈሉ ካህናት ተመሪጹ፡ ስርዓት-ዲሲፕሊን ናይ ኣቕሽሽቲ/ ፈለስቲ/ ኢታያት/ ይሕሉ ይቈጻጸርን። ወደ'ባት እውን ክኸውን ይግባእ።

ኣብ ሞንጎ ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያን ካልኦት ኣብ ክርስትና ዝኣምኑ ስርዓታትን ዘሎ ድሙቕ ፍልልይ፡ ኣብ ናይ ኣምልኾ ኣፈጻጽማ ኣገባብ-ናይ ስርዓቱ ልምድታትን ዘሎ እዩ እውራ ጉሊሑ ዝረአ። ብሓቂ'ውን መጀመርያ ንዝዕዘቦ፡ እዚ ናይ ኢትዮጵያ-ስርዓት ኣሕቀምቀም ዝበዝሖ ኣገባብ እዩ ዝኸተል።

እቲ ብዓቢ ኣድንቕት፡ መጀመርያ ቀላሕታ ዘሕድረልካ ነገር ግና፡ ብዝሒ ናይቲ ዛጊት ኣብ ናይ ኢትዮጵያ-ክርስትና ዝውቱር ዝኾኑ ልምድታት ሕገ-ሙሴ እዩ።

ግርዘት(እንተላይ ንደቀ'ንስትዮ) ምስ ስርዓት-ጥምቀት ማዕረ-ማዕረ እዩ ዝረአ። ቀዳምን ሰንበትን፡ በዓላት ይበሃሉ። ብዘይካ ዓርብን-ቀዳምን ድማ፡ ሮቡዕ እውን ድሮ-በዓል እዩ። ጥንታዊ-ሕጊ ከም መምርሒ ብምውሳድ፡ ዝብልዑ-ምግብታት፥ ፍቑዳት-ጽዩናትን ተባሂሎም ይኽፈሉ።

ቅዱሳት ምስሊታት ንዝምልከት፡ ማእከላይ-መንገዲ ሒዙ፡ እቲ ኣብ ምንጪ ብስርዓቱ እተሳእለ ቅዱስ እንኪበሃል፡ ቅዳሓቱ ዘበለ ግዙስ እዩ።

ኣካላዊ-ንጽህና ንዘርኢ ጉዳይ፡ዋላ'ውን ሕጋዊ ጾታዊ-ርክብ ዝፈጸሙ ምእመናን፡ ኣብቲ መዓልት'ቲ ቤት-መቕደስ ክይኣትው ክልኩላት እዮም። ከምኡ'ውን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልትታትን- ጻግነ ኣብ ዝበሃላሉ ጊዜያትን፡ ቤት-መቕደስ ኣይኣትዋን። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እቲ ብ ዋዜማ-ከበሮ-ጸናጽል ዘሳንዮዎ ናይ ዳዊት-ስርዓት ይዝከሩ።

ብዘይካ እዚኦም፡ ካልኦት ንኡሳን ዝኾኑ፡ ሕገ-ሙሴ ዝኽተሉ ኣገባባት እውን ይዝ-ውተሩ እኳ እንተኾኑ፡ ምጥቃሶም ኣየድልን።

እዚ ክበሃል እንከሎ ግን፣ ሃይማኖታዊ ምቅርራብን-ኣወንታዊ ምጽውዋርን ዘረሓሕቑ ሓድሓደ ኣተሓሳስባን-ኢትዮጵያዊ እምነትን እውን ኣይሰኣኑን። ኣብነት፣እቲ ኣብ ልዕሊ ጲላጦስ ዘለዎም ኣኽብሮት ብሓጺሩ ክጥቀስ ምተኻእለ።

ሰፍሓ ኣብ እተባህለ ንኡስን-ስኡን ቁሸት ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፣ ምሳና(ኢጣልያ)ኮይኑ ምስቲ ኣብ ዓዱ ከስካይዶ ዝጸናሕና ፍጻሜታት ምትሕብባር ዝነበር "ቆሞስ" ናይቲ ቁሸት የዕልል ኣብ ዝነበርኩ ሓደ-መዓልቲ፣ ብዛዕባ ኢጣልያ ብዙሕ ሓበረታ ክሓተኒ ጀኒሩ፣ ሃንደበት፣ እቲ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ብዙሕ ኣኽብሮት ዝግበረሉ ሃጸይ-ቆስጣንጢኖስ ኢጣልያዊ ድዩ ? ኢሉ ተወከሰኒ። ሃገራዊ-ኩርዓት ተሰሚዑኒ ብኣወንታ ብዝመለስኩሉ፣ ንወዮ ሃጸይ ዝረኸበ መሲልዎ፣ ብኣድንቖት ጠመተኒ። ጀኒሩ ድማ፥ «ጲላጦስ ከ ኢጣልያዊ ድዩ ዝነበረ ?»ኢሉ ሕቶኡ ቀጸለ። እቲ ፕረት ዝጸንሐ ኩርዓተይ ብኡንብኡ ደስከለ። ብዛዕባ ትውልዲ ጲላጦስ ዘሎ ናይ ታሪኽ ክርክራት ተኸቲለ፣ ገሊኦም ከም ዝኣምንዎ፣ ጲላጦስ ተወላዲ እስጳኛ እዩ። እቲ ኣብ ሃገረ-ይሁዳ ዓሪዱ ዝነበረ ክፍለ-ሰራዊት ግና ኢጣልያዊ ምንባሩ ተዘኻኺረ፣ ስለ'ዚ'ውን ጲላጦስ ብትውልዲ ድኣ እስጳኛዊ ይኹን'ምበር ሮማዊ ዜጋን-ሹመኛን እዩ ዝነበረ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጻሕኩ። ስለ'ዚ ብሕፍረት ርእሰይ ኣድኒነ ብትሑት ድምጸይ፣ ኢጣልያዊ ምዃኑ ገለጽኩሉ።

እቲ ከዛርበኒ ዝጸንሐ ካህን፣ ብሕጉስ ድምጺ ደጋጊሙ፥ «ጽቡቕ- ጽቡቕ !!!» ክብል ምስ ሰማዕኩ ድማ፣ ድንግር በለኒ።

እቲ ብታሕጓስ ዝወለዶ ነገር፣ እታ ንሱ ዘፍቅራ ኢጣልያ፣ ሃገር ጲላጦስ እውን ምዃና ስለ እተረጋገጸሉ እዩ ዝነበረ።

ምንም'ኳ ቅዱስ-ረቢ በዓል ናዝሬት እተሳቐየን-እተቐትለሉን እዋናት፣ ሃገረ-ይሁዳ ብውክልና ጲላጦስ ከመሓደር እንተጸንሐ፣ ንክርስትያን ህዝቢ-ሓበሻ፣ ጲላጦስ ቅዱስ-ሰብ እዩ ዝበሃል። ነዚ እምነት'ዚ ዝድግፍ ባህሉም'ኳ ብልክዑ ክርዳእ እንተዘይከኣልኩ፣ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይቲ ንጲላጦስ ዝፍለጠሉ ብልጫ፣ ምስቶም ሞት ጐይታና የሱስ-ክርስቶስ ዝሓተቱ ከሰስቲ ስለ ዘይሓበረ እዩ ዋና ምርኩሳ-ሞጐተኦም።

እቲ ገበን ከይፍጽም ደው ክብሉ ዘኽእል መዝነት-ግቡእን ምህላው ብዘየገድስ።

እዚ ንኡስ ኣብነት'ዚ፣ ሓድሓደ ምስጢራውያን ጠባያት ስነ-ኣእምሮ ኢትዮጵያውያን ምርዳእ ዘኽእል እዩ።

ኩልና ከም እንፈልጦ፣ ዓውደ-ኣዋርሕ ኩሉ ናይ ሃይማኖት ብዓላት፣ ብጸቢብ ይዛመዱ እዮም። ስለ'ዚ፣ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ዝዝውተር ፍቕዲ-ኣዋርሕ ምጥቃስ፣ ከንቱ ኣይኮውንን።

ዓውደ-ኣዋርሖም፣ ካብቲ ናትና ዝቕለለን-ዝያዳ ዘስተውዕልን ኮይኑ፣ ንሓደ-ዓመት ኣብ 12 ኣዋርሕ ይኸፍሎ። ነፍስ-ወከፍ ወርሒ ድማ 30 መዓልቲ ስለ ዝውስና፣ ኣብ መወዳእታ፣ "ጳጉሜ" እተባህለ 5 መዓልቲ ይድመርዎም። ኣብ ኣረርባዕተ-ዓመት፣ መዓልታት ጳጉሜ፣ 6 ይኾና።

ናይ ኢትዮጵያ ሓድሽ-ዓመት፣ ብወርሒ-መስከረም ይጅምር።

ዓውደ-ኣዋርሖም ነቲ «ግረጎርያኣዊ-ጽገና» ዝበሃል ተኸቲሉ እንተዝኸውን፣ ወርሒ-መስከረም፣ ናትና ናይ ኢጣልያ Settembre (September) ምኾነ። ነዚ እተጠቕሰ ጽገና ስለ ዘይተኸተለ ግን፣ ማዕረ'ቲ ኣብ ሃገር-ሩስያ ኮነ/ኩሎም'ቶም ግሪክ-ኦርቶዶክስ ሃገራት ዝዝውተር ናይ «ጁልያና» ዓውደ-ኣዋርሕ እዩ ዝጽብጽብ።

ቀዳመይቲ-መዓልቲ ወርሒ መስከረም፣ ሓድሽ-ዓመት ጥራሕ ዘይኮነ፣መዓልቲ ዮሃንስ-መጥመቕ እውን ስለ ዝበሃል፣ ብዓቢ ክብሪ ይብዓል። ኣብዚ መዓልት'ዚ፣ ካህናት ንዘሎ ምንጪ-ማይ/ወሓዚ ወይ ዓቕር-ማይ፣ብዓቢ ክብሪ ይባርኹ። ምእመናን ኣብ ከምዚ'ሉ እተባረኸ ማይ፣ምስ ክዳውንቶም ብተርታ፣ ሰብኡት-ኣንስቲ-ቈልዑ፣ ስውነቶም የጥልቑ[1]።

---

[1]- ንናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ ዝምልከት ሓበረታ፣ኣብ መወዳእታ ወገን ናይዚ ክፍል'ዚ ቀረቡ ዘሎ 1ይ ምልክታ ተዓዘብ።

እቲ ክርስትያን ኢትዮጵያ ብድሙቅ ዘብዕልዎ ዓቢ በዓል ግና፡ «መስቀል» እዩ። ካብ ዕለት 16 ናይ ወርሒ-መስከረም ጀሚሩ፡ ንሳልስቲ ይቕጽል። ሃይማኖታውን-ሲቪላውን በዓል ብምዃኑ ድማ፡ ብዘይካ ብናይ ሃይማኖት-ቅዳሴታት፡ብምርኢት-ውድድራት-ሓውቆልቋል-ጓይላን ተሰንዩ ይበዓል።

ናይ ኢትዮጵያ ፍቕዲ ዓመታት፡ ካብቲ ናትና(ኢጣልያ) ዝያዳ ጥንቃቕ ሃልዩዎ፡ ከምቲ ንሕና እንኽተሎን -ግጉይነቱ እተረጋገጸን ብ "ድዮኒጂ-ንኡስ" እተባህለ ዓላዊ-መነኹስ ንመጀመርያ ዝቐረበ ፍቕዲ ዓ.ም.ትውልዲ መድሃኔ-ዓለም ኣይኮነን ዝኽተል። ነዚ ዓቢ ፍጻሜ ብድሕር ሸውዓተ-ዓመት እዩ ዝኸውን ዝብል ብ " ጁልዮ-ኣፍሪካኖ " ዝቐረበ ዝያዳ ልክዕነት ዘለዎ ፍቕዲ እዩ ዝኣምን።

ምስልምና ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ቁርኣን[2]፡ መሓመድ ንቃል ዘልኣለማዊ ብከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፥

> «....እሪት ንሙሲ ተዋህበ፡ ልኡኻን እግዚኣብሄር እውን ከም ዝኽትልዎ ገበርና። የሱስ ወድ-ማርያም ተኣምራት ክፍጽም ስምምዕ ገበርና፡ ብቅዱስ-መንፈስ እውን ኣጠንከርናዮ። ልኡኻን ናይቲ ልኡል ነቲ እተሓበለ ልብታትኩም ዝንጽጎ ኣስተምህሮታት በብዝቕረብልኩም እዋን ዲኹም ብትዕቢት ተቓውሞ ከተቕርብሉ ? ን ገለን ሓሰውቲ ትብሉ -ንገለን ትቐዝፉ። ሙሴ ብጸጋታቱ ተኸቢሉ ኣብ ሞንጎኹም ነበረ። ርኹስነት ፈጺምኩም ግና፡ ምራኽ ኣምለኽኩም። ምሳኹም ኪዳን ተኣሲሩ ከረን-ሲና ክብ ብዘበልና፡ እዚ ዝኽተል ቃላት ኣስማዕናኩም፥ -ብታሕጓስ ሕግታትና ተቐበሉ፡ ኣኸ-ብርዎ እውን- እቲ ህዝቢ ግን፡ ሰሚዕናካ ኣይንምእዘዝን በለ። እቶም እኪዮት ግና ኣብ ልብታቶም ነቲ ዝወቐርዎ ምራኽ ኣመኑ።...»

ኣብ መወዳእታ 6ይ ምዕራፍ እናቶጸለ ድማ፡ ከምዚ ይብል፥

> «...እግዚኣብሄር ንየሱስ ወድ-ማርያም፡ ንደቅ-ሰብከ ንዓኡን ንዲኡን ከም ኣማልኽቲ ከምልኽዎም ምእዘዝካዶ ? ኢሉ ተወከሶ። የሱስ ድማ፡ጐይታይ፡ ርኽሰት እንዶ ኣይምኾነን ? ኢሉ መለሰ። ኣነ ከምዚ'ለ ዝበነኛ እንተ ዝኸውንከ ንዓኻ'ውን ኣይምተመልከተንዶ? ኣብ ልበይ ዘሎ ካባኻ ኣይተሰወረን። ኣነ ግን ፍጹም ግርማኻ ዝኸድኖ ምስጢር ኣይፈልጥን። ፍትሒ-ምስጢራት ናይቲ ልኡል እዩ። ትእዛዝትካ ንምግላጽ እየ'ውን ድምጸይ ዘስማዕኩ።
>
> ንጐይታይ-ጐይታኹም ዝኸውን ኣምላኽ ስገዱ በልክዎም። ኣብ ምድሪ ክሳብ ዝጸናሕኩ ድማ፡ ኣብ ሞንጎኹም ምስክር ኮንኩ። ብትእዛዝካ ሞት መጺኡ ንመዓልትታት ጸዕረይ ክኹልፍ ምስ መጸ፡ ንስኻ ሓላዊኦም ኮንካ።
>
> ኣድማሳዊ ምስክር ኢኻ። እንተቐጻዕካዮም፡ ባሮትካ እዮም። ምሕረት እንተ ፈቒድካ ድማ፡ ሓያል- በዓል ልቦና ኢኻ።....»

ብዛዕባ የሱስ እናቐጸለ፡ ኣብ ሳልሳይ-ጥቕሲ መሓመድ ከምዚ ይብል፥

> «...መልኣኽ ከኣ ንማርያም ከምዚ በላ፡ እግዚኣብሄር መሪጹኪ እዩ፡ ኣን-ጽሂኪ እውን። ካብ ኩለን ኣንስቲ ንዓኺ መረጸ። ንጐይታ እተባረኽኪ ኩኒ ስገድሉ ድማ። ምስ ኣገልገልቱ ሓቢርኪ ኣብ ቅድሚ ግርማኡ ተደፍኢ...»

እናቐጸለ ድማ፥

> «..መልኣኽ ከኣ ንማርያም ከምዚ በላ፡ እግዚኣብሄር ቃሉ የበስረኪ፡ ንሱ፡ ንመሲሕ የሱስ ኢሉ ክሰምዮ እዩ። ወድ-ማርያም ኣብዚ ምድሪ ዓቢ እዩ፡ ኣብቲ ሓደ ድማ፡ እሙን ናይቲ ልኡል እዩ። ቃሉ ንደቅ-ሰብ ካብ ህጻን ዕድመኦም ክሳብ እርግናኦም ክሰምዕ እዩ። ምስ ቅኑዓት እውን ክሰራዕ እዩ።

---

[2]- ቁርኣን»፡ ካብ ቋንቋ-ዓረብ ናብ ጣልያን እተገብረ ሓድሽ ትርጉም- ሚላኖ ቤት/ ማሕተም ጆቪ-ፓንጸሪ -1882።

> ጐይታ በለት ማርያም፡ ከመይ'ለ ውላድ ክወልድ ? ዝኾነ ሰብኣይ ኣብ ጥቓይ ኣይቀረበን። መልኣኽ ድማ፡ በዚ ኣገባብ ኣይኮነን ዝፍጸም ኢሉ መለሰ። እግዚኣብሄር ብዝደልዮ እዩ ፍጡራቱ ዝሃንጽ። ዘበለ ነገር ክኸውን ምስ ዝደልዮ፡ ይኹን ይብል እሞ፡ ይኸውን ከኣ። ንሱ፡ ጽሕፈት-ጥበብ-ኦሪት-ወንጌላትን ክብርሃሉ እዩ። የሱስ ኣብ ሞንጎ ደቂ-እስራኤል ልኡኽ ክኸውን እዩ። ቅዱሳን-ተኣምራተይ ተልእኮይ ከመስከሩ እዮም ድማ ክብሉዎም እዩ። እቲ ብቅድመይ እተቐበልክምዎ ኦሪት ከረጋግጸልኩም እየ። ሓደ ክፋሊ ናይቲ እተኸልከለኩም ሕጊ ክፈቕደልኩም እየ። እግዚኣብሄር ሓይሊ ተኣምራት ሃቢኒ ፍርሕዎን-ተማእዘዙን። ንሱ፡ጐይታይን-ጐይታኹምን እዩ። ኣገልግልዎ። መንገዲ ድሕነት እውን ንሱ እዩ።....»

ኣብ ቁርኣን ምዕራፍ 21፡ ከምዚ ዝኸተል ይንበብ፥

> «..ኣብ ሰማያት፡ ብዙሓት ኣማልኽቲ እንተዝነብሩ፡ውድቀት ቀረባ ምኾነ። ምስጋና ንእግዚኣብሄር፡ንሕፍረት ሓጢኣቶም ኣብ ዝፋን ዓለማት ተቐመጠ። ብዛዕባ ግብሩ ማንም ኣይጸባጸቦን። ንሱ ግን ብዛዕባ ግብሮም ይሓትት።
>
> መልኣኽቲ ዶ ብዘይካ ሓደ እግዚኣብሄር ንካልኣት ኣማልኽቲ ይሰግዱ እዮም? እስከ ጭብጥኹም ይቕረብ? ንኣይ፡ምስክርነት-ቁርኣን[3] እዩ ደገፌይ። ኣይሁዳውያን ይኹኑ ክርስትያን፡ቅዱስ ጽሑፋት ኣለዎም እዩ፡ ብሓቕኡ ግን ሓቂ ኣይፈልጡን፡ ካብ ብርሃን እውን ይሃድሙ። ኩሎም'ቶም ብቕድመኻ እተራእዩ ነብያት እዚ ምስጢር'ዚ ተቐልዓሎም፡ ኣነ እየ ንውልቀይ ሓደ-ኣምላኽ፡ ንኣይ ስገዱ።....»

ከምዚ'ሉ ድማ መሓመድ ኣብ 2ይ-ምዕራፍ፡ እምነት ሰዓብቱ ጽኑዕ ንኪኸውን እዚ ዝኸተል ኣስተምህሮ ይምህር፥

> «...ንሓደ-ኣምላኽ ንኣምን በሉ። ነቲ እተዋህበና መጽሓፍ(ቁርኣን)-እቲ ንኣብርሃም-እስማዒል-ይስሓቕ-ያቆብ- 12 ነገድን እተቐልዐ ምስጢራት ንኣምን። ትምህርታት ሙሴ-የሱስ-ነብያትን- ንኣምን። ኣብ ሞንጎኦም ዝኾነ ፍልልይ ኣይነዘውትርን፡ እስላም ኢና እውን።...»

እናቐጸለ ድማ፥

> «...ብርግጽ፡ እስላም-ይሁዲ-ክርስትያን-ሳባውያን- ንእግዚኣብሄር ዝኣምኑ ዘበሉ ኩሎም፡ ኣብ ናይ መወዳእታ መዓልቲ እውን ጽቡቕ ዝፈጸሙ ክይተረፉ፡ ብኢዱ እዮም ጻማኦም ዚፍደዩ። ካብ ፍርሕን ስቅያትን ክድሕኑ እዮም።...»

እዚ እተጠቕሰ ጽሑፍ፡ ን"ተኦሎጅያዊ"(ትምህርተ-ሃይማኖት)ክፍሊ ናይቲ መሓመድ ዝመሃሮ ትእዛዛት ብቅኑዕ ንምርዳእ ዝኣክል እዩ።

እዚ ሃይማኖት'ዚ ብቋንቋ-ዓረብ(ማለት ቡቲ ቁርኣን እተጻሕፎ ቋንቋ)እስላም ይበሃል።

እስላም ማለት፡ ን"ድልየት-ኣምላኽ" ሕራይ-እሺ ኢልካ ምስላም ማለት እዩ። ናይ ሕግታቱ ሞራላዊ-ማሕበራውን መምርሒ፡ ቁርኣን ይበሃል። ሰዓብቲ ምስልምና ድማ ብቋንቋ-ዓረብ፡ ምስለሙን(ንእግዚኣብሄር እተባረኹ) ይበሃሉ።

ካብዚ ከም ዝበርህ፡ ሕጊ-ምስልምና ኣብ ሓድነት ኣምላኽ እዩ መሰረቱ። እዚ፡ ካብ ኣዳም ኣትሒዙ እተገልጸ ምስጢር እዩ። ቀጺሉ ድማ እዚ ልኡል ሓቅ'ዚ ካብ ኣእምሮ ደቂ-ሰብ ተኸዊሉ ኣብ ግእታት ምምላኽ በብዝተጀመረሉ እዋናት ልኡኻቱ እናውረደ፡ ንዝሰዓበ-ወለዶ ተገሊጹሎም እዩ።

ቁርኣን ከም ዝኣምኖ፡ እቲ ነዚ ተልእኮ'ዚ ከማልእ እተላእከ ናይ መወዳእታ ሃዋርያ፡ መሓመድ እዩ። ስለ'ዚ እውን እስላም፡ «ካትም እል ናይቡን» ኢሎም ይሰምይዎ። ትርጉሙ፡መወዳእታ ካብ ነብያት ማለት እዩ።ምኽንያቱ ብድሕሪኡ፡ከም ናይ መወዳእታ

---

[3]- ጀላላዲን እተባህለ እስላማይ-ዶክቶር፡ ነዚ ጥቕስ'ዚ ብከምዚ ይገልጾ፥ "መልኣኽቲ ሓደ ኣምላኽ ከም ዘምልኹ ጭብጢ ዝኾነኒ፡ ቁርኣን እዩ። እዚ ድማ ንኣይሁዳውያን ኮነ ክርስትያን፡ ብኦሪት- ወንጌላትን ይግለጸሎም።

ሰዓት ክመጽእ ዝግቦእ፡ ማሕፂ እዩ። ማሕዲ፡ ብኣምላኽ ዝለኣኽ፡ ቅድሚ ፍጻሜ ዓለም፡ ተልእኮ መሓመድ ንምፍጻም እዩ። ካብዚ ድማ፡ ከምቲ ክርስትያን ብምልክት መስቀል፡ እስላም ንዝኾነ ተልዎ ሃይማኖት ንምግላጽ፡ ደጊሞም «ላ እላ እላላሁ-ኡ መሓመድ ራሱል እላህ» ይብሉ(ብዘይካ ሓደ ካልእ ኣምላኽ የለን፡ መሓመድ ከኣ ሃዋርያ እግዚኣብሄር እዩ)።

ቁርኣን፡ ንየሱስ ብምሉእ የኽብሮ። ምሲጋና ንምዝኻር፡ወትሩ ይጥቀስ። ካብቶም ቅድሚ መሓመድ እተራእዩ ሃዋርያ፡ ብእግዚኣብሄር ምሩጽ ምዃኑ ይኣምኑሉ። ብዘይካ ስብእይ፡ ከም ቅዱስ ተግባር ፈጣሪ-ሓይሊ ካብ ድንግል-ማርያም ከም እተወልደ ይኣምን። ብፍቓድ ዘልኣለማዊ እውን፡ ተኣምራት ክፍጽም ስልጣን ተዋሂብዎ እዩ። እዚ ተውህቦ ንባዕሉ ንመሓመድ ኣይተፈቕደሉን። መለኮት ክርስቶስ ግን፡ ንጹግ ይኸውን። ምኽንያቱ ብትምህርቲ እስላም፡ ኣምላኽ፡ ኣደ ኰንት ኣቦ/ ደቂ ወይ ሓሕዋት ክህልዎ ኣይክእልን። ብዘይ ሓደ ኣምላኽ ካልእ ፈጣሪ የልቦን።

ትእዛዛት ቁርኣን ንዝምልከት፡ እስላም ንዓሰርተ ትእዛዛት-ሙሴ ይኣምኑን-የኽብሩን። ሓሙሽተ ጊዜ ንመዓልቲ፡ ጸሎት ይግደዱ፥ ንጉሆ -ፈረቓ መዓልቲ -ኾኾብ ድራር -ዓራርቦ ምስ ዓረበ -ለይቲ ምስ ኰነ። መዓልቲ በዓሎም ዓርቢ ይውዕል። ኣብዚ መዓልት'ዚ ኣብ ቤት-መቕደሶም ተኣኪቦም፡ ኣብቲ ናይ ፈረቓ-መዓልቲ ብሓባር ይጽልዩ። ምሉእ ወርሒ ሮመዳን ይጸሙ። ኣብዚ ናይ ጾም-ጊዜ፡ ካብ ጊሓት ክሳብ ዕራርቦ መግቢ ይኹን መስተ ክይለኽፉ፡ ብለይቲ ይምገቡ[4]።

ብድሕር'ቲ ዝጾሙሉ ወርሒ «ባይረም» እተባህለ ዓቢ በዓሎም የኽብሩ። በኹዑ-ፈሊሖን ካብ ዝዳሎ ዘስክር መስተ -ስጋ ሓሰማ፡ ክልኩላት እዮም።

ዓመቶም ኣብ ዝጅመረሉ መዓልቲ፡ ሓደ-ዕስረት(1/10)ናይ ዝሓለፈ ዓመታዊ-እቶት ን ድኻታት-ስኡናት ክምጽውቱ ይግደዱ። ብዘይካ'ዚ ሕጋዊ ዝበሃል ምጽወታ'ዚ፡ ናይ ርህራሄ-ልምዲ እውን የዘውትሩ እዮም።

ብዘይካ'ቶም ብዝግባእ ክምግብዎምን-ክናብርዎምን ዝኽእሉ ጊላ-ኣገልገልቲ ንኣዕሊ ክውንኑ ኣይግባእን። ማዕረ'ዚ ድማ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጽቡቕ ተግባር ከም ምዃኑ፡ ሓራ ክለቕዎም ይግደዱ።

እስላም፡ ነጻን-ጥዕናኦም እውን ምስ ዝፈቕዶ፡ሓንሳብ ኣብ ዕድመኦም ን«መካ» ክነግዱ ይጽውዑ።

ብዝግባእ ናይ ጸሎት ስርዓት ኣካላት ምስ ዝሕጸብ ነፍሲ እውን ካብ ርስሓት-ሓጢ-ኣቱን ይነጽህ ካብ ዝብል እምነት፡ ደጋጊሞም ኣካላቶም ይሓጽቡ። ብሕልፊ ቅድም'ቲ ሓሙሽተ ልምዳዊ ጸሎት።

ተባዕትዮ ውላዶም ኣብ 7ይ ወይ 8ይ ዓመት ዕድመኦም፡ ሃይማኖታዊ ጥቕሲታት ብልክዑ ክድምጹ ምስ ክእሉ፡ ስርዓት-ግርዘት ይፍጸመሎም። ኣብ ቁርኣን'ኳ እንተ-ዘይተጠቕሰ፡ ኣብርሃም ከም እተኾተሎ ኣገባብ፡ መሓመድ እዩ ነዚ ሕግ'ዚ ኣማሕጺኑ።

ካብቲ ንማሕበራዊ-ስርዓት ዝምልከት ትእዛዛት ቁርኣን ዓቢ ቆላሕታ ዘሕድር፡ እቲ ንሰዓብቲ ምስልምና ኣብ ሓደ-እዋን ክሳብ ኣርባዕተ-እንስቲ እውን ምእታው ዝፈቅድ ተኽእሎ እዩ። ብዘይካ'ቲ ናይ ፍትሕ ዘለዎም ሓርነት፡ ንኩለን ብማዕርነት-ብዘይ-ጸቕጥን ክናብርወን ይሕተቱ። ምስተን ብዝግባእ ክናብርወን ዝሕተቱ ኣገልገልቶም እውን ጾታዊ-ርክብ ክህልዎም ፍቑድ እዩ።

እዚ ምስ ናትና(ኢጣልያ) ኣታሓሳስባ-ስምዒትን ዘይሳነ ተኽእሎታት ግና፡ ምንዛርና ክየስፋሕፍሕ ዝዓግትን (ኣብ እስላማዊ-ዓለም ዳርጋ ኣይዝውተርን እዩ) ክምኡ'ውን ብወሰን ዝበሃል ውላድ ክይህሉን ኣቕዲሙ ዘስተውዓለ እዩ። ምኽንያቱ ብግብረ፡ ደቂ-እስላማይ ኣደ ብዘየገድስ፡ ኩሎም ብማዕረ ሕጋውያን እዮም። ብማዕረ እውን ውርሻ ኣቦ ይወርሱ። ኣወዳት ይኹኑ ኣዋልድ።

4- ዓመት ዓረብ ንወርሒ እዩ ዝኽተል። 12 ኣዋርሕ ድማ ይፈቅድ። ዝመሳቐሉ መዓልታት ብዘይምህላዎም ድማ፡ ኣዋርሖም ንምክትታል ጊዜያት ብልክዑ ኣይሕብርን። ስለ'ዚ ምጅማር ዓመቶም ኣኪታቲሉ፡ ኣብ ጽድያ-ሓጋይ-ቀውዒ-ክረምቲ እውን የጋጥም።

ከም ወዮ ሓደ ብሂል ዝጠቕሶ፥ "ኣዕራብ ከም መሓመድ ዝኣመሰለ ሓጋጊ የድልዮም እንተነበረ፣ ንመሓመድ እውን ከም ዓረብ ዝኣመሰሉ ህዝቢ የድልዮዎ ነበሩ" ይበሃል። ብተወሳኺ፡ዛጊት መብዛሕትኦም ህዝብታት-ኣፍሪቃ ብቐሊል ክርድኦም ዝኽእል ሕግታት፣ ናይ መሓመድ ምኽኑ እተረጋገጸ እዩ። ከመይሲ፣ ሕግታት መሓመድ ካብቲ ህዝቢ-ዓረብ ክእምንዎ ዝጸንሑ ድርናቕ(ጥንቆላ)፣ ክብ ዝበለን-ኣኽብሮት ዝግባእ ኰይኑ ካብ ተረኽበን፣ ንቲ ህዝብታት-ኣፍሪቃ ክእምንዎ ዝጸንሑ ትሑት ግእታዊ-ኣምልኾ፣ ብዝለ-ዓለ ጸብለል ስለ ዝብሉ።

መሓመድ ብ 569 ዓ.ም. ናይ ዘለናዮ ዘመን፣ ካብ "ቆረይሽዓውያን" እተባህሉ ቀቢላ ይውለድ። ኣብቲ ዓመተ-ምህረት'ቲ እዩ'ውን ሃጸይ-ኣብርሃ ከም ንጉስ ኣራብያ-ፈሊቹ ኰነ/ኢትዮጵያን፣ ግዙፍ-ሰራዊት ኣኸቲሉ ንቲ ብናይ ውርሻ-ቀዳምነት "ቆረይሽዓውያን" ከመሓድርዎ ዝጸንሑ ናይ «መካ ቤት-መቕደስ» ክፍርሶ ተላዒሉ ዝነበረ።

እቲ ዝና ከም ዘሎንትዎ፣ ኢትዮጵያውያን ንቲ ቤት-መቕደስ ክዕንው ኣብ ዝቐረብሉ፣ እግዚኣብሄር ኣብ ኣጽፋረን ንእሽቱ ኣእማን ዝጨበጣ ጭፍራታት ጨራሩ ለኣኸ'ሞ፣ እቲ ኣእማን እናወደቐ ናህሪ-ሓይልን ወሲኹ፣ ብረት/ሰራዊት/ናይ ኩናት እንስሳ-ኣፍራስ ይኹኑ ሓራምዝ፣ በቲ ኣእማን ተሃሪሞም፣ ምሉእ ሰራዊት-ሓበሻ ተደምሰሰ ይበሃል።

እዚ ዝና'ዚ፣ ብካልእ ኣገባብ እውን ይግለጽ እዩ። ገለን ከም ዝኣምንዎ፣ እቲ ንፋሳት ደቡባዊ-ምብራቕ ኣብ ሃገር-ዓረብ ኰነ ኣፍሪቃ ዘሳዕልዎ ርሱን-ሑጻ እዩ ከም ግመ ተላዒሉ ተተፊእዎም ይብሉ። ካልኦት ድማ ብወገኖም፣ ኣብ ሃገር-ዓረብ ጊኑ ዝርከብ ተላገብ-ሕማም ጸሊም-በደዶ (ወይ በዲዶ) እዩ ኣጥፊእዎም ያኢ፣ እናበሉ የዘንትው።

ብርግጽ ግና ኣብቲ ሰፈሕ ናይ እስያ ሓውሰ-ደሴት ዝጸንሐ ግዝኣት-ኢትዮጵያ፣ካብ'ቲ ዓመተ-ምህረት እቲ እዩ ውድቀቱ ዝጀብጀበ።

መሓመድ፣ ኣብ መጀመርያ ሰዓብቲ ስኢኑ/ተናዒቑ-ተሃዲኑን፣ ብ 16 ሓምለ 622 ዓ.ም. ካብ «መካ» ን «መዲና» ክዕቀብ ተገደደ። ካብዚ ሓጂራ እተባህለ ህድማ እዩ'ውን እስላማዊ ክፍለ-ዘመናት ሀ ኢሉ ዝብገስ።

እንጻር ጸላእቱ ሓያል መኸተ ድሕር ምቅናዕ፣ ተዓዊቱ ንመካ ተመልሰ።ኣብዚ ብዝኣተወ ድማ፣ ኣቕዲሙ ንቤት-መቕደስ በጽሐ። ብ 360 ጣኦት ተኸቢቡ ምስ ረኣዮ ድማ፣ ንዓኦም ብበትሪ እናውደቐ፥ «..ሓያሊ ተገሊጹ፣ ሓሶት ንጥፍኣቱ እዩ» እናበለ፣ ብዓቢ ድምጺ ይጭድር ነበረ።

ቁርኣን፣ ብሊቀ-መልኣኽቲ ገብርኤል እዩ ንመሓመድ ተገሊጽሉ። መሓመድ ከኣ ንባብ-ጽሕፈትን ስለ ዘይመለኸ፣ ምዕራፍ ንምዕራፍ ንሃዋርያቱ ኣጽሓፎም።

ሃይማኖት-ምስልምና ክህንነት ኣይኣምንን። ምኽንያቱ ድማ እቲ ናይ ሓባር-ጸሎት ዝመርሕ "ኢማም"(ብቕድም ዝሰራዕ)ኰነ/ቁርኣን ዚገልጽን-ዘረድእን ሊቀ-ሕጊ ዝበሃል "ሙፍቲ"፣ ክህንነታዊ ስልጣን-ባህርያትን ኣየዘውትሩን።

ብዝሒ ህዝቢ-ኤርትራ ዝኸተሎ እምነት እዚ ሃይማኖት'ዚ'ኳ እንተኾነ፣ ከምቲ ኣቐ-ዲሙ እተጠቕሰን-ስዒቡ ዝያዳ ዝበርህን፣ ናይ ምዝውታሩ ኣገባብ ምስቲ ምንጪ-መሰረቱ ኣይሳነን።

***

ቀሺ-ገብረ፡ «ቆሞስ ኣስመራ» ብዛዕባ ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ዘቕርቦ ሓበረታ።

ሃይማኖት ንዝምልከት፡ መንፈሳዊ ኩነታት ደቀ'ባት መረብ ምላሽ ንምርዳእ ዘነየድከምዎ መጽናዕቲ፡ ብቀሺ-ገብረ እተባህለ ተዋህዶ-ቆሞስ ኣስመራ እየ ጀሚረ። ንሱ ከም ዝብሎ፡ ቅዱስ-መንኲስ ተክለ ሃይማኖት ከም ዝሰረቶ ቅዋማት- ጽፍሕታትን ቤተ-ክህነት ዓድ-ሓበሻ፡ ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይግባእ፥

- *ሊቀ-ጳጳስ/ብትርያርክ* ኣብ እስክንድርያ-ግብጺ ዝርከብ ተዋህዶ እዩ። መላእ ቤተ ክርስትያን ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ይርከብ።

- *ኤጲስቆጶስ/ኣቡን፡* ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኣይርከቡን።

- *ኣቡና ወይ ጳጳስ፡* ሓደ ክሀሉ ምተገብአ። መራሒ ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ዝበሃል እውን ንሱ እዩ። ወጻኢተኛ(ዘይወደ'ባት)ኰይኑ ብብትርያርክ ክባረኽ ይግባእ።

- *እጨጌ፡* ናይ ዓለመውን-ምዱብን ቤተ-ክህነት ሓላፊ እዩ። ብንጉስ-ነገስት ዝስየም ወደ'ባት ክኸውን ይግባእ።

- *ነብርእድ፡* ናይቲ "መዲና" ዓድ-ሓበሻ ዝኾነ ቤተ-ክርስትያን ኣኽሱም ቀሺ-ገበዝ እዩ። ብሃጼ እዩ'ውን ዝስየም።

- *ኣቀመናስ ወይ ቆሞስ፡* ንኣብያተ-ክህነት ይምልከት። ኣብ ገዳማት ዝነብሩ ኣባት እውን እዚ መዓርግ'ዚ ይፍተዶም እዩ።

- *ሊቀ ካህናት፡* ልዕለ ካህናት።

- *ካህን ወይ ቀሺ፡* (ብረባሕታ፡ ካህናት ወይ ኣቕሽሽቲ)፡ ዓለማውያን-ምዱባትን ተባሂሎም ይኽፈሉ።

ብጥንቲ ኣብ ዓድ-ሓበሻ፡ ሓደ ኣቡና ንውልቁ እዩ ዝነብረ። ንጉስ-ዮሃንስ ግና ተጸባኢቱ ብዝ-መለኸ፡ ብናይ ዕርቂ መንፈስን/ ክብረ ናይቶም እተመለኹ ነጋውስ እውን ክብ ንምባልን፡ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ኣርባዕተ-ኣቡናት ክህልው ንብትርያርክ ወይ ሊቀ-ጳጳስ እስክንድርያ ሓተተ-ተፈቒድሉን። ንንግስነቱ ብዝመስል ኣገባብ እውን፡ ከምቲ ንሱ መራሒ ናይ ኩሎም ነገስታት ናይቲ ንግስነት እተባህለ፡ እቶም ኣርባዕተ-ኣቡናት እውን ብተመሳሳሊ ጽፍሒ መዲቡ፡ ሓደ-መራሒ ከም ዝህልዎም ገበረ።

ንጉስ-ዮሃንስ ከም ዝመኸሮ፡ እዞም ኣርባዕተ-ኣቡናት፡ ብኸምዚ ዝስዕብ እዮም ክምደቡ ዝምተገብእም፥ ሓደ *ኤጲስቆጶስ* ተባሂሉ ምስኡ ምስ ዮሃንስ ኣብ ማእከል ናይቲ ንግስነት ክነብር። ሕጋዊ-መዝነቱ ድማ እንተላይ ኣብ እምሓራ ክዘውትር። እቶም ዝተረፉ *ሰለስተ-ኣቡናት* ዝህልዎም መዝነት፡ ነፍስ-ወከፎም ኣብ ንግስነት ጎጃም-ሸዋ-ትግራይ ክዘውትሩ እዩ'ቲ ዝነበረ መደቡ።

እዚ ኣመዳድባ'ዚ፡ ንቲ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ሃይማኖታዊ-ክርክራት ምዕራፍ ዝእመተ እዩ'ውን ነይሩ።

እቶም እተመዘዙ ኣርባዕተ-ኣቡናት ግና ንመደባት ዮሃንስ ተቓወምዎ። ብዘይካ ፍጹም ማዕርነቶም ድማ፡ ካብ ናይ እስክንድርያ ብትርያርክ ወጻኢ ዝኾነ ካልእ መዝነት ወይ ስልጣን ከም ዘይቕበሉ ኣፍለጡ። ኣብ ሀልዊ-እዋን(ሽዑ ምኽኑ እዩ)፡ ክልተ ካብዞም ኣርባዕተ-ኣቡናት ሞይቶም እዮም። ሓዲኦም ኣብ "መተማ" ምስ ንጉስ-ዮሃንስ ኣብ ዝነበረሉ እዩ ሞይቱ።

ኣቡና ጴጥሮስ-ኣቡና ማቴዎስ እተባህሉ ዝተረፉ ክልተ፡ ወትሩ ኣብ ቀጻሊ ምስሕሓብ ይርከቡ።

ኣቡና ዝህልዎ ስልጣን፡ ሃይማኖት ጠቀስ ጉዳያት ምፍጻምን/ ክህነታዊ-ኣስተምህሮ ምስልሳልን ይውስን። ኣቕሽሽቲ ይባርኽ፡ ሃይማኖታዊ-ብይናት ይፈቅድን።

እጨጌ፡ ጠቕላሊ መራሒ ቤተ-ክህነት ኢትዮጵያ እዩ። ብፍላይ ድማ ስነ-ስርዓት/ዲሲፕሊን ካህናት-መነኰሳትን(ኢታያት ከይተረፉ)፡ ይቆጻጸር። ኣቡና ባዕዳዊ ክኸውን ስለ ዝግባእ፡ ቋንቋ ኩነ ልምዲ ናይቲ ሃገር ስለ ዘይመለኸ፡ እጨጌ እዩ ከም ደገፊ ዝተሓባበር። ከምዚ'ሉ ድማ፡ ንንጉስ -ኣቡና -ቤተ ክህነትን ዝኣስር መሳልል ይኸውን። ነብርእድ ወይ ነብራእድ፡ ቃል ንቃሉ "መሓውር-ንብረ" ማለት እዩ። ብዘመኑ፡ ናይቶም መሬት ኣኽሱም-ክዘቢኡን ዝውንኑ ዝነበሩ ህዝቢ መራሒ እዩ ዝነበረ። ካብኡ እተዋጽአ ግብሪ እዩ'ውን እቶት ኣቡና ዝኾነት ነይሩ።

እዚ ነብርእድ ዝብል መዝሙት፡ ከም ናይ ኢትዮጵያ ኣቢታዊ-ስርዓት፡ ውርሻዊ እዩ ዝነበረ። ኰይኑ ግን፡ኣብ ግብረ ንምትርጓሙ፡ንጉስ ክሰምዮን-ከጵድቕን ይግባእ። ስለዚ ብጸቢብ ኣተረ-ጓጉማኡ፡ ካህን ዘይኰነስ፡ ናይ ቤት-መቕደስን/ መካባብሮ ኣቡን ዝምድብን በዓል-ደረባ እዩ ዝነበረ።

ብዘመን ንጉስ-ዮሃንስ እዩ፡ ኣቡና ብዝቕረቦ ጠለብ መሰረት፡ ነብርእድ እውን ካህን ክኸውን ይግባእ ተባሂሉ፡ እቲ ዝጸንሐ ዓለማዊ ነብርእድ፡ ብካህን ተተኪኡ።

ሕቁመናስ ወይ ቆሞስ፡ ብልዕል ኩሎም ካህናት ቀዳምነት ይወሃቦ። ንበዓላት ዝምልከቱ ዓበይቲ ቅዳሲታት፡ ብእኡ ይምርሑ። ዝኾነ ብደረጃ እቁመናስ ዘይሓለፈ ካህን፡ እቶ ጌ ተባሂሉ ክስመ ኣይፍቀድን።

ኣቡና -እቶጌ -ቆሞሳትን፡ ብጾታ ክዋሰቡ ክልኩል ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ መዝሙቶም ቅድሚ ምብጻሕ እውን፡ ጓል-ኣንስተይቲ ኣይፈልጡን።

ኣብ ሓደ እተወሰነ ምድሪ፡ ንዓኡ ዘመሓድር መንግስታዊ-ስልጣን እዩ ሊቀ-ካህናት ዝመርጽ ነይሩ። ሊቀ-ካህናት፡ ኣብቲ ምድሪ ንዝርከቡ እቕሽሽቲ(ዓለማውያን) ይቆጻጸር። ስርዓት-ዲሲፕሊን ይሕሉ። ዓበይቲ ጉድሊታት ኣብ ዘጋጥሙ፡ ሓበሬታኡ ን እቸጌ የመልከት። ኣቢያተ ክርስትያን ብዝግባእ ክስለሙ ዝቆጻጸርን፡ኣብ ውሽጢ ቤተ-ክህነት ክለዓሉ ንዝኽእሉ ምስሕሓባት ዝዳኒ እውን፡ ሊቀ-ካህናት እዩ።

በብዓመቱ፡ 3 ቅርሺ-ባጠራ ካብ ነፍስ-ወከፍ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዝርከቡ ኣቢያተ-ክርስት-ያን የዋጽእ። ሓደ-ሲሶ(1/3) ንዓኡ እትረፉ ድማ፡ ዝተረፈ ንመንግስቲ የመሓላልፍ። መንግስቲ ብወገኑ ነዚ እቶት'ዚ፡ ንስናይ-ግብረ ከውዕሎ ይግባእ።

ኣብ ሓድ-ሓደ ቦታ ዝርከቡ ኣቢያተ-ክርስትያን፡ ኣብቲ ዓዲ ወይ ማሕበረ-ኮም ከም ህያብ ተፈቒድዎም፡ ግብሪ ዘይከፈሎ መሬት ይውንኑ እዮም። ኣብ ካልእ ድማ፡ ዓስራይ-ኣፍ(ዕስራት) ኮነ/ ካልእ ልምዳዊ-ህያባትን ይልገሰሎም። እዚ እዩ ድማ እቲ በብዓመቱ ምንጪ እቶት ሊቀ ካህናት ዝነበረ።

ዓለማዊ ቤተ-ክህነት፡ መርዓ ይፍቀዶ እዩ። መዝሙት ኮነ -ዘኸትሎ ረብሓን፡ ብውርሻ ካብ ኣቦ ንውላድ ክመሓላለፍ ፍቑድ እዩ። እዚ ግን ብተገብእን-ስሩዕ ምዳዘን ክሓልፍ ይግባእ።

ማእምን፡ካልእ መርዓ ኣይፍቀዶን። ኣብ ኩሎም ኣቢያተ-ክርስትያን ዓድ-ሓበሻ ዝነብሩ ካህናት፡ ንውቀያት-ተመሃሮ ጽሕፈት/ንባብ ክስተምህሩ ይግደዱ።

"ሊቀ-ካህናት" ወረዳ-ሓማሴን፡ ቀሺ-ገብረ እዩ። ንሱ ከም ዝብሎ ድማ፡ ብ ጀነራል ባልዲሰራ እዩ ኣብዚ ሓላፍነት'ዚ ተሸይሙ።

"ሊቀ-ካህናት" ወረዳ/እከለ-ጉዛይ፡ ስሙ ክፈልጦ ዘይከኣልኩ ቀሺ ተዋህዶ እዩ። ደጊያት ባህታ ሓጐስ እዩ'ውን ሲያሚኡ። መዝነት ሊቀ-ካህናት፡ ኣብቲ ካልእ ወረዳታት እተማልአ ምኳኑ እውን ከረጋግጽ ኣይከኣልኩን።

ነቶም ምዱባት(ማለት ዘይዓለማውያን) ዝበሃሉ ኣባላት ስሩዕ ቤተ-ክህነት ንዝምልከት፡ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ፈቒዶኡ ገዳማት ፋሕ ኢሎም ይርከቡ። መብዛሕትኦም ግና ኣብ ኤርትራ እዮም።

ፍቕዲ(ምሓድን-ምብዛሕን)ናይቶም ኣብ ገዳማት ዝነብሩ ፈለስቲ፡ ምስ ቅዱስ-ዝና ናይቲ ቦታ/ ጽቡቕ ስም-ተፈላጥነትን ናይቲ ዘመሓድሮ እበምኒየት(ኣባቴ)/ ምጣነ-ሃብቲ ናይቲ ገዳምን እተዛመደ እዩ። ማለት እዚ ረቒሒታት'ዚ ምስ ዝማላእ፡ እቲ ገዳም ኣባላት ይበዝሕም። መውሰቦ ኣይፍቀዶምን ጥራሕ ዘይኰኑ፡ ኣብ ሕግታቶም ብዘሎ ጽንዓት ንማንም ጓል-ኣንስተይቲ ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ ገዳም ምእታው፡ ክልኩል እዩ።

መብዛሕትኦም ገዳማት፡ ኣብ ኣኽራናት ስለ ዝሰፈሩ «ደብሪ» እውን ይበሃሉ እዮም።

ብሕትውናኦም ክሳብ ክንደይ ጽኑዕ ምኳኑ ንምርዳእ፡ ኣብ ገዳም፡ዝኾነ ኣንስታይ-ጾታኡ እንስሳ ዘ-ቤት እውን ክይተረፈ ክልኩል እዩ።

ገዳማት ንሓድሕዶም ዝእሰር ናይ ሓባር ቀይዲ የብሎምን። በቲ ማሕበሮም ዝመረጾ እበምን-የት ተመሪሖም፡ ፍጹም ሓርነቶም ዝዓቀቡ እዮም። እበምንየታት ዝህልዎም ሃይማኖታዊ ናይ ምምሕዳር መዝነት፡ ኣብቲ ዝነብርሉ ገዳም ይውሰን። ኰይኑ ግን፡ ብዝኸተልዎ ትምህርትን-ቅዱስ ህይወትን ክቢሮም ኣብ ዝነብርሉ እዋናት፡ ኣብ ከባቢኦም ዝነብር ዓለማዊ ቤተ-ክህነት፡ ምስሕሓብ-ፍልልይን ኣብ ዘጋጥመ፡ ክዳኑ፡ ናብኦም ናብ ፈለስቲ እዩ ዝቐርብ ዝነበረ።

ፈለስቲ ኣብ ቤተ-ክህነት ክምደቡ ይኽእሉ። ብድልየቶም ድማ፡ ገዳም ክለውጡ ይፍቀዶም። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ገዳም፡ ሃይማኖታዊ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ ይርከቦ። ኣብዚ ቤት ትምህርት'ዚ ንክህንነት ዘይምደቡ ካልእ ኣገዳሲ ደርቢ እውን ይሳተፍ እዩ። ደብተራ ወይ ደፍተራ ይበሃሉ።

ናይ ጽሕፈት ክእለቶም፡ ኣብ ፈቐዶ ዓድታት-ቁሸታትን ኢትዮጵያ ንዝርከብ ህዝቢ የውፍዩ። ኣብ ኣብያተ-ክርስትያን እውን ናይ ስርዓት-ቅዳሴ ፍጻሜታት ብምዃሙር ዘሰንዩ፡ ደብተራ እዮም።

ኣብ ሓድ-ሓደ ኣገደስቲ ኣብያተ-ክርስትያን ዓድ-ሓበሻ፡ ከም ኣብነት ኣብ«ዋልድባ» እተባህለ ቦታ(ሃገር-ኣምሓራ) ናይ ደቅ-ኣንስትዮ ፈለስቲ ማሕበር(ኢታያት) እውን ይርከብዎም። ኣብ ኤርትራ ግን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ስርዓት የለን።

ገዳማት ዓድ-ሓበሻ፡ ወትሩ ዓቢ ኣገዳስነት ይወሃቦም። ህዝቢ'ውን ብሓቂ የኽብሮምን-ማዕዳኦም እውን ይኽተልን።

ኣብ ኤርትራ ካብ ዝርከቡ ኣገደስቲ ገዳማት፥

- *ኣብ ሓማሴን፡* እንዳ ኣቡና ተኽለ-ሃይማኖት/ ደብረ-እንድርያስ

- *ኣብ ኣከለ ጉዛይ፡* ደብረ ሊባኖስ/ እንዳ-ስላሴ

- *ኣብ ሰራየ፡* እንዳ'ባ ብሩኽ/ ደብረ ኣቡና ዮናስ/ እንዳ'ባ ያና/ እንዳ'ባ መጣዕ

- *ኣብ ደቀ-ተስፋ፡* ደብረ-መንቀርዮስ

- ኣብ *ቆሓይን ድማ* ኣብ *መወዳእታ፡* ደብረ-ማርያም -ይዝከሩ።

እቶም ዝኸበሩን -ሓያላት'ውን ዝነበሩን -ዛጊት ዓቢ ኣኽብሮት ዝፍለጠሎም ገዳማት ግና፡ ሃይማኖት-ተዋህዶ ኣብ ዘይዝውተር ዓድታት፡ ካብ ከበሳ ወጻኢ ይርከቡ። ንሳቶም ድማ፥ ጻዕዳ እምባ - ደብረ ሲና፡ ኣብ *መሬት ክረን*/ እቲ ካብ ኩሎም ዝዓበየ "ደብረ-ቢዘን" ድማ ካብ ጊንዳዕ ኣዝዩ ዘይረሓቐ፡ ኣብ ዓድ ሳሆ-ጦርዓን ይርከብ።

ኣብ ህልዊ እዋን፡ ፍቕዲ ናይቶም ኣብዞም ገዳማት ዝነብሩ ደቂ-ማሕበር(ሓደስቲ ምዱባትን-ኣገልገልትን እውን ዘጠቓልል)፡ ልዕሊ 400 ሰባት ኣቢሉ ይግምገም። ብዙሕ ከየርሓቕካ ድማ፡ ፍርቆም ኣባላት ደብረ-ቢዘን እዮም።

***

ኣባ ገብረ-እግዚኣብሄር ኣበምንየት ደብረ ቢዘን ዘቕርቦ ሓበሬታ።

ስለ'ዚ እውን፡ መራሒ ናይዚ ደብረ(ቢዘን)ዝነበሮ ርእይቶ ምፍላጥ፡ ኣገዳሲ እዩ ዝነበረ። ምሕዝነት ስለ ዝጸንሓና ድማ፡ ክይተወከስክዎ ኣይሓለፍኩን። ኣባት ገብረ-እግዚኣብሄር፡ ሰፊሕ ፍልጠት-ሊቕነትን ዝደለበ ሰብ እዩ። እቲ ብመጠኑ ዝመለኸ ቋንቋ-ጣልያን፡ ባዕሉ እዩ ተማሂሩ። ኣብ ካልኣይ ኩናት-ኣቐርደት ኣብ ልዕሊ ማሕዳውያን ዝረኸብናዮ ዓወት ንምምንጓስ ብጣልያን ዝጸሓፈለይ መልእኽቲ፡ ዛጊት ከም መዘከርታ ዓቂበዮ ኣለኹ።

ኣተሓሳስባ ናይዚ ብቑዕ በዓል-ስልጣን ኣበምንየት ደብረ-ቢዘን፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

ስብከት ሃይማኖት-ከኒሻ ኣብ መረብ/ምላሽ ድሒሩ ዝኣተወ ተርእዮ ብምዃኑ፡ ብዙሓት ሰዓብቲ ክፍረ ኣይክኣለን ዘሎ። ኣብዚ ሚዳ'ዚ፡ ካቶሊክ እዮም ክሲቦም ዝርከቡ። ንተዋህዶ ሃይማኖት እውን፡ ናይ ካቶሊክ ኣስተምህሮ እዩ ብቀረባ ዝዛመዶ። ከኒሻ ካብ ዝዛብዎ ኣስተምህሮታት፡ እቲ ዝያዳ ንቕሓት-ተዋህዶ ዝነክእ፡ ኣብ ልዕል-ማርያም ዘለዎም ትሑት ኣቓልቦ እዩ። ስለዚ እውን ተዋህዶ ንከኒሻ "ጸረ-ማርያም" ኢሎም የመልክትዎም።

ኣባ ገብረ-እግዚኣብሄር ንከኒሻ ምስ እስላም ሰሪዑ፥ «ማርያም ጸሊኦም ? ኣብ ዳሕረዋይ ህይወት ይረኸብዋ» ይብል። እናቀጸለ ድማ፡ ምስ ካቶሊክ ዝያዳ ዝዛመድ ሃይማኖት-ተዋህዶ ምዃኑ ንምግላጽ፥ «ብዘይካ'ቲ ንባህርያት ክርስቶስ/ መልኣኸ-ስጋን ዝብል ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ እንተዘይኩይኑ፡ ኣብቲ ኣገዳሲ መሰረታዊ ሕግታት፡ እዚ ክልተ-ሃይማኖት ይመሳሰል እዩ» ይብል። ኣብ ካልኣይ-ደረጃ ንዝሰርዑ ኣገባባት እዩ እቲ ፍልልይ ዝያዳ ዝደምቕ። ከም ኣብነት፥ ሕገ-ግርዘት/ ርኹሳት-ፍቑዳትን ምግብታት ምፍላይ/ ብዓላትን ናይ ስራሕ መዓልትን ምውሳን (ቀዳም፡ መዓልቲ ብዓል ስለ ዝበሃል ንኣብነት፡ ተዋህዶ ስራሕ ኣይወፍሩን)።

ሕገ-ግርዘት/ ምእጋድ ርኹሳት ምግብታትን ንዝምልከት፡ ተዋህዶ ዝኽተልዎ መምርሒ፡ እቲ ኣብ ግብረ-ሃዋርያት ምዕራፍ 15 ተጠቒሱ ዝርከብ እዩ።

ሕገ-ግርዘት ንክርስትያን ዝምልከት ግቡእ ዘይምኺኑ ክኣ፡ ክርስትና ሃይማኖት ኣብ ዓድ-ሓበሻ ከይኣተወ ክዝውተር ዝጸንሐ ጥንታዊ ህዝባዊ-ልምዲ እዩ። ስለ'ዚ እውን፡ ብዘይካ ሃይማኖታዊ ስርዓት እዩ ክትግበር ጀኒሑ። መድሃኔ-ዓለም ንባዕሉ፡ ነዚ ልምድ'ዚ ኣኽቢሩ እዩ ተገሪዙ።

ምኢጋድ ዘይተበተኹ(ዘይተኸስተኑ) ሰገን-ደምን ግና፡ ለውጢ ኣይተገብሮን። እቲ ከምንብዎ ዝደልዩ እንስሳ፡ ብስም እግዚኣብሄር ክኸስተን(ክብተኽ) ሕጊ እዩ። እቲ እንስሳ ድማ፡ ብመሰረት እቲ ኣብ ኦሪት ዘዳግም ምዕራፍ 14፡ ንጹህ እተባህለ ክኸውን ይግባእ።

ብዛዕባ'ዚ ጉሬመኒ፡ እቲ «ብኣፍ ዝወጽእ እምበር፡ ብኣፍ ዝኣቱ ኣይኮነን ንወድ-ሰብ ዘርክስ» ዝብል ናይ የሱስ ጥቅሲ ኣብ ዝጠቕስሉ፡ እቲ ኣበምንየት፥ «የሱስ ከምዚ'ሉ እተዛረበሉ ኣጋጣሚ፡ ሃዋርያቱ ኣእዳዎም ከይተሓጽቡ መኣዲ ክቐርቡ ምስ ረአዩ፡ ፋርሳውያን ንዘቕረብዎ ተቓውሞ መልሲ ንምሃብ» ከም ዝኾነ ኣዘኻኽረኒ። ቀጺሉ'ውን፡ እቲ «ዝሃብኩኹም ተመገቡ» ዝበለ ጥቕሲ ኣምጽኢኩሉ። ነዚ'ውን መልሲ 'ክህብ፥ «ኣብ ዘይትፈልጦ ቤት ከም ጋሻ ቀሪብካ እተዳለወ መግቢ ምስ ዘቕርቡልካ፡ እቲ እንስሳ ዓይነቱ ኮነ ኣገባብ ቅትለቱ ብዘይምፍላጥ፡ ብዘይካ ሓጢኣት ምብላዕ ዝከኣል እዩ። ደሙ ከይፈሰሰን-ርኹስ ምዃኑን እናፈለጥካ እትበልዖ እዩ ነውሪ። ኣብ ዝኾነ ጥቕሲ ሓዲሽ-ኪዳን እውን ብንጹር ነዚ ሕግ'ዚ ዘፍርስ ጥቕሲ ኣይርከብን። ወረ'ውን ጉዶታና ከም ዝብሎ፥ ሕግን-ነብያትን ክመልእ እምበር፡ ከፍርስ ኣይመጸእኩን»።

ንመዓልቲ ቀዳም ዝምልከት፡ ኣበምንየት ደብረ-ቢዘን ኣብ ዘቕረበለይ መግለጺ፡ መጽሓፍ-ቅዱስ ብንጹር ከም ዝገልጾ፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ መዓልቲ ዕረፍቲ ክትከውን፡ ብእግዚኣብሄር እያ ተወሲና። የሱስ ድማ ነዚ ሕግ'ዚ ኣመሓይሹ እምበር፡ ኣየፍረሰን። ህጹጽ ኣድላይነት ዘድልዮም ዕዮታት ክፍጸሙ እዩ ፈቒዱ። ከም ኣብነት፡ ምድሳው ዕለታዊ-መግብን/ ልዕል ኩሉ ድማ እቲ ፋርሳውያን ንበለጽ፡ ነቲ ሕጊ ቃል-ንቓሉ ኣብ ግብሪ ንተርጉሞ ብምባል፡ ኣብቲ መዓልት'ቲ ዝቼጠዩሉ ዝነበሩ ናይ ርህራህ-ምጽወታ-ምሕረትን ተግባራት፡ ክፍጸም ከም ዝከኣል እዩ ሓቢሩ።

መዓልቲ ሰንበት ድማ፡ መድሓኒ ዝዓረገሉ መዓልቲ ንምዝኽኻር፡ ቤተ-ክርስትያን እዩ መዓልቲ ዕርፍቲ ይኹን ዝበለ።

ስለ'ዚ እዮም ክርስትያን-ተዋህዶ ነቲ ሓድ-ሓደ ሰዓብቲ ካቶሊክ-ኪሻ፥ 'ቀዳም ዘይወፈረ ኣይ-ክርስትያንን" እናበሉ ዘሽካዕልልዎ ኣዘራርባ፡ ከም ዓቢ ጸርፊ ገሚቶም ዝነጽግዎ።

ዓለማውያን ኣባላት ቤተ-ክህነት፡ መውሰቦ ክፍጽሙ ይፍቀድ እዩ። ዝመረጽዋ ሰበይቲ ግና፡ መበለት-ሓያም ክትከውን ኣይፍቀድን። እዚኣ ብሞት ምስ ትፍለ ድማ፡ ዳግም ኣይምርዓውን። ኣብ ናይ ላቲን-ካቶሊካዊ ሃይማኖት፡ ዋላ'ውን ኣብቶም ዓለማውያን ዝበሃሉ ኣባላት ቤተ-ክህነት፡ መርዓ ክልኩል እዩ ኢለ ምስ ሓበርክዎ፡ ኣባት ገብረ-እግዚኣብሄር ኣብ ምዕራፍ 7፥ 1ይን-2ይን ጥቕሲታት ቀዳማይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆረንጦስ ክምልከት ኣዘኻኽረኒ።

ርእይቶኡ እናቕጸለ፥ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ሃይማኖት-ኪሻ ዝኣመኑ ደቀ'ባት ኣብዚ ዓመታት እዚ ምብርካቱ፡ ብሰንኪ ኩናት-ሕማማት-ጥሜትን ዘኸተልዎ ሽግራት ድኣ'ምበር፡ ሰላምን ጽቡቕ ምህርትን ምስ ተረኽቡ፡ እቲ ስብከት ደው ኢሉ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ጥንታዊ-ሃይማኖቶም ክምለሱ ምዃኖም ዝነበሮ እምነት ገለጸለይ።

ብዛዕባ ሃይማኖት ምስልምና ዝነበሮ ርእይቶ ክገልጽ ተሓቲቱ ድማ፥ እዚ ሃይማኖት'ዚ ከስፋ-ሕፍሕ ዝፈቐደሉ ኩነታት፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ሰለስቲኡ ክርስትያናዊ እምነታት ዘሎ ፍልልይን-መንግስቲ ኢጣልያ ዝፈቐዶ ናይ እምነት ሓርነትን ምዃኑ ኣብርሃለይ። ቀጺሊ ምዕባለ ናይዚ ሃይማኖት'ዚ ንምዕጋት፡ ብርእይቶኡ ኣብ ጥንታዊ ኣገባብ ምምላስ እዩ መፍትሒኡ። ማለት ኣብቲ ብቐድሚ ዘመነ-ዮሃንስ ንኩሎም እስላም ንግስነት-ኢትዮጵያ፡ ኣብ እተወሰነ መዓልቲ ክርስትያን ኩይኖም ማዕተብ ክእስሩ ዘገድድ ሕጊ ምምላስ እዩ። ነዚ ምስ ዝነጽጉ ድማ፡ ብሞት ክቕጽዑ ዝበለ ኣዋጅ ምትግባር እዩ'ቲ ምኽሪ።

ቅድም'ዚ ኣዋጅ'ዚ ምእዋጁ፡ ሃይማኖት-ምስልምና ሸለል ተባሂልዎ ድኣ'ዩ ጸኒሑ'ምበር፡ ግሁድ ስብከት ክካየድ ኣይፍቀዶን ዝነበረ። ማሕበረ-ፖለቲካዊ ኩነታቶም እውን ካብ ናይ ክርስትያን ለጠቕ ዝበለ እዩ ነይሩ። ማንም ምስ ሓደ-ክርስትያን እተላኸፈ እስላማይ፡ ብሞት ይቕጻዕ እውን ይበሃል ነይሩ እዩ።

ምስ ናይ'ዚ ኩሉ ግን፡ ሃይማኖት ምስልምና ኣብ መረብ/ምላሽ ብዙሓት ሰዓብቲ ኣፍረየ።

ብንጉስ-ዮሃንስ እተኣወጀ-ኣዋጅ ግን፡ብሃይማኖታዊ-ስምዒት ኣይኮነን ጥራሕ ተደፋፊኡ። ፖሊ-ቲካዊ-ዕላማታት እውን ዘማልእ እዩ።

እስላም፡ ተሓባበርቲ ናይቶም ዝበኣሱ ጸላእቲ/ተቓወምቲ ንግስነቱን ተባሂሎም እዮም ተሃዲኖም። ግብጻውያን፡ ኣብ ሰንሒት-ባጽዕ ኩይኖም ነቲ ህዝቢ መረብ/ምላሽ ልኡላውነት ዮሃንስ ኣብ ሃገሩ ከየስፋሕፍሕ ዘላዓሎ ተቓውሞ፡ ደገፍቱ እዮም ዝነበሩ።

ከም ሳዕቤን ናይዚ ብዮሃንስ ኢተኣወጀ-ኣዋጅ ግን፣ ጀበርቲ(እስላም-ሓበሻ) ብብዝሒ ተሰደዱ። እቶም ዝተረፉ ድማ ብቀትሪ ማዕተብ ኣሲሮም፡እምነት ክርስትያን-ተዋህዶ ኢተቐበሉ'ኳ እንተ-መሰሉ፣ ብለይቲ ኣብ ኣባይቶም፣ ካብ ጸሎት-እስላማዊ ኣንጻብን ኣይረሓቑን። ስለዚ እዮም'ውን «ብመዓልቲ ክርስትያን -ብለይቲ እስላም» ተባሂሎም።

እቲ ኣበምንየት ከም ዝሓበሮ ድአ፣ ሓድ-ሓደ ጀበርትን/ ኣብ ጎማግም ባሕሪ-ኣብ ባርካን ካብ ዝርከቡ እስላም ናብ ሃይማኖት-ክርስትያን ክምለሱ'ኳ እንተ'ጋጠመ፣ ብርእይቶይ(ደራሲ)፣ ንብሉ ዝፈቕደ እስላማይ፣ ኣብ ጥንታዊ ሃይማኖቱ ክምለስ ኢልካ ምሕሳብ ዘበት እዩ።

ኣባ-ኪዳነ፥

ካቶሊካዊ-ካህን ወደ'ባት

እንታይ ይብል ? ኣባ-ኪዳነ[5]፣ 60 ዓመት ዝዕድመኡ -ዓሳ -ሕያዋይን ስርዓት ንጽህናን ዘላልዮ ካቶሊካዊ-ካህን እዩ። ናብዚ ሃይማኖታዊ-እስተምህሮ ዝመርሖን/ ካህን ክኸውን ዝሰርዖን፡እቲ ብቕድሚ 32-33 ዓመት ኣዚሉ ዝሞተ "ኣባ-ያክቢስ" እዩ። ኣባ-ኪዳነ፣ ወትሩ ብፍቕርን ዓቢ ኣኽብሮትን ይዝክሮ።

ብዛዕባ ኣብ መረብ/ምላሽ ዘለው ናይ ሃይማኖት ሕቶታት፣ ርእይቶኡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

ኣብ ኣስመራ-ሓማሴን፣ ብዘይካ'ቶም ካብ ሰንሒት/ኣከለጉዛይን መጺኦም ኣብ ዕስክርና ዝርከቡ ወይ ናይ እግረ-መንገዲ ዓስከር፣ ካቶሊካውያን ደቀ'ባት ኣይርከቡን።

ኣብ ናይ መጀመርያ እዋናት፣ ንሶም ካብ ሃይማኖት-ተዋህዶ ናብ ካቶሊክ ዝኣመኑ ዓለማውያን ኣቕሽሽቲ፣ ምስ ኣንስቶም ሓቢሮም ክነብሩ፣ ይፍቀድ እዩ ዝነበረ። እዚ ግን፣ ንሶም ሓደስቲ ምዱባት ኣይምልከትን።

ንምእመናን ዝወሃብ ቅዱስ-ቁርባን፣ ብክልተ-መልክዓት ይኻየድ ነበረ። ጸሎት፣ ብቋንቋ-ግእዝ እንኪፍጸም/ ብዓላት፣ ብናይ ተዋህዶ መምርሒ እዮም ዝኽበሩ ነይሮም።

ብዛዕባ ኣከለ-ጉዛይ ዝነብር ካቶሊካዊ ጉጅለን-ህልዊ ኩነታቱን ክገልጸለይ ብዝሓተትኩ፣ ኣባ-ኪዳነ፣ ብጥንቃቐ ሰገጥ በለ። ብዛዕባ ካልእ ሃይማኖታዊ-እምነታት መግለጺኡ እናቐጸለ፣ ኣብ መረብ/ምላሽ ፋላሻ(ሓባሻ እብራይስጥ) ከም ዘይርከቡን፣ ምስልምና ድማ ኣብ ሞንን'ተን ዝዓስከሩ እስላም ዝምርዓዋ ደቂ-ኣንስትዮ ብሕልፊ ሰንብቲ ይረከብ ምህላው ገለጸለይ። ካብዚ ንላዕሊ ግን፣ ከኒሻ እዮም ዝያዳ ከዕውቱ ጸኒሖም።

ኣብዚ እውን መግለጺኡ እናቐጸለ፣ እዚ ጽልዋ'ዚ፣ ካብቲ ኣብ ሞንጎ ራእሲ-ወለንኪኤልን/ ደጊያት-ሃይሉን ኢተላዕለ ናይ ሓድ-ሕድ ኩናት ከም ኢተበገሰ ገለጸለይ። ደጊያት-ሃይሉ ተሳዒሩ ምስ ተቐትለ፣ እንዳ-ጸዓዘጋ እውን በቲ ተጻራሪኡ እንዳ-ሃዘጋ ምስ ተመልከ፣ ብዙሓት ተኸተልቲ እንዳ-ጸዓዘጋ ኣብ ሕጡምሎ መዕቈቢ ረኺቦም፣ ብስዊድናዊ-ሚስዮን ተቐባልነት-ረድኤትን ረኺቡ።

ብዘይካ መግቢ-ክዳን-ካልእ ኣድላይ ቀዳማይ ረድኤትን- ቁልዑ ከንክን ተገይሩሎም ናይ ኢደ ጥበብ እስተምህሮ እውን ቀሲሙ። እቶም ዝነቕሑ ድማ ፊደል ከም ዝቖጽሩ ተገብረ። ከምዚ ኢሉ ኣብ ልብታቶም ሰራውር ምስ ተኸለ፣ በዚ ሉሚ(ሽዑ) መንግስቲ-ኢጣልያ ፈቒድዎ ዝርከብ ናይ ሃይማኖት ሓርነት፣ ናይ ከኒሻ ሚስዮናውያን፣ ፍረ ናይቲ ዝዘርእዎ ሰናይ-ግብሪ ክሓፍሱ ይርከቡ።

ብዛዕባ'ቲ ቤተ-ክርስትያን ተዋህዶ ዘዘውትሮ ኣይሁዳዊ-ኣገባብን/ ዘቕርቦ ምኽንያታትን፣ ብሕልፊ የሱስ ክርስቶስ ንቲ ሕግታት ብንጹር ከም ዘይኮኑን ዝብል ርእይቶታት ምህላው ብዝገለጽኩሉ፣ ከም ዝስዕብ መልሲ ተዋህበኒ፥ «ግርዘት ንዝምልከት፣ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ-ቆረንጦስ ከም ዝገልጾ፣ እዚ ልምድ'ዚ ብድልየት ዝፍጸም እምበር፣ ምስ ድሕነት-ነፍሲ ዝራኸብ ነገር ከም ዘይብሉን፣ ተዋህዶ እውን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፣ ተመሳሳሊ እዩ ርእይቶኦም።

ብዛዕባ'ቶም ብጥንታዊ-ሕጊ ርኹሳት ዝበሃሉ ምግብታት፣ ጴጥሮስ ዝረኣዮ ራእይ ምዝካር የድሊ። ንዓኡ፣ ኩሎም እንስሳታት ብዝቐረብሉ፣ ቅዱስ-ቃል ቀሪቡ ብዘይኣፈላላይ ክምገብ ኣዘዘ። እቲ ሃዋርያ ግን፣ ኣብ ሞንጎኦም ርኹሳት እንስሳ ምህላዎም ኣመልኪቱ ከብቕዕ፣ ብሳዕ ድአ ተባህሎ።

ብዛዕባ ምብዓል መዓልቲ-ቀዳም ድማ፣ ኣብ ወንጌል ይኹን ኣብ ምሉእ ሓዲሽ-ኪዳን፣ ጉልበ-ታዊ-ስዮ ዝፈቕድ ጥቕሲ ከም ዘየልቦ» ገለጸለይ።

---

[5]- ኣባ= ካህን።

ዝርርብና ኣብ ዝፈጸምናሉ፡ ኣብ-ኪዳን፡ እዚ ዝኸተል ኣገዳሲ ሓበረታ ኣስንቐኒ፡ ኢጣልያውያን ትድሚ ንዘበሳ ምምጻእም፡ ተወላዶ ደቀ'ባት ብዛዕባ ሃይማኖትና ክሓቱ እዮም ጀኒሖም። ሃይማኖትና ካቶሊክ ምኻኑ ብዝፈለጡ ድማ፡ ብታሕጓስ ተቐቢሎም። ኢጣልያ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዝነበሮ ሸለልትነት ምስ ተገንዘቡ ግና፡ ሃይማኖት ናይ ምልዋጥ ግዱታ ኣይተራእዮምን። ሃይ-ማኖቶም ብዘየገድስ፡ ማዕረ ክንክን ይግበረሎም ብምንባሩ።

ልምዲ ናይቶም ብ ተድርስ/ዮሃንስ ክአወጁ ዝጸንሑ ኣዋጃት ስለ ዝጸንሖም ድማ፡ እዚ ጉዳ-ይ'ዚ ንቕድም ጋን-ኰኖም፡ እስኪቦም ግና ነቲ መንግስቲ-ኢጣልያ ዝፈቐዶን-ክውሕሶ ዝበሉን ሰፊሕ ሓርነት፡ እተሓደሰ ምሲጋና ኣቕረብሉ።

***

ኣፈንዲ መሓመድ
ብዛዕባ ሃይማኖት እስላም
ዘቕርቦ ሓበረታ ።

ካብቲ መንግስቲ-ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ዝፈቐዶ ሃይማኖታዊ-ሓርነት፡ እስላም እዮም ብርግጽ ዝያዳ መኽሰብ ረኺቦም። ኣብ መረብ/ምላሽ እዚኣም'ውን ማዕረ'ቶም ኣብ ካልእ ሃይማኖት ዝኣመኑ ዜጋታት እዩ ዝነበረ መስሉም። ስለ'ዚ እውን ነጻ ዝኾነ ገለጻእምን-ኣተሓሳስባእምን ንምፍላጥ፡ ብቕዳምነት ናብ መሓመድ-ኣፈንዲ ወድ-ኣዙበክር በዓል ትምብክቲ ቀረብኩ።

ብዝሒ ናይ ደቀ'ባት ሰራዊትና ብእስላም ተዓብሊሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ሃይማኖታዊ መሰሎም ክሕሎ ንማለት፡ ኣዙበክር በዓል-ትምብክቲ እዩ ብኣና(ኢጣልያ) ንደሞዝ ተቖጺሩ፡ ወታሃደራዊ «ኢማም» ተባሂሉ ዝነበረ። ምስኡ ሓቢሩ ድማ፡ መሓመድ-ኣፈንዲ[6] እተባህለ ወዱ፡ ክም ጸሓፍን-ኣስተርጓምን ቋንቋ-ዓረብ፡ ኣብ ጠቕላሊ-እዚ ሰራዊት ደቀ'ባት ተመደበ።

ስለ'ዚ እውን፡ ብዝነበር ፍልጠት/ እንዳዊ ደረጃ/ ሃገራውነት/ኣገልግሎት፡ መሓመድ ኣፈንዲ ሃይማኖት-ምስልምና ንዝምልከት ሓበረታ ክቕርበለይ፡ ብቑዕ ዜጋ እዩ ዝነበረ።

ንሱ ከም ዝገልጾ፡ ብዝወሓደ ኣገባብ ድኣ ይኹን እምበር፡ ኣብ እስላም እውን ከምቲ ናይ ክር-ስትያን ብዝመስል ኣገባብ፡ ምፍልላይ ጉጅለታት ኣሎ እዩ።

ጽሩይ ሃይማኖታዊ-ሕግታት ዝኽተሉ፡ እቶም «ሱምሲ» እተባህሉ ምእመናን እዮም። እዚኣም፡ ብድሕር መሓመድ፡ ነቲ ነቢይ-መሓመድ ባዕሉ ዝጸሓፎ «ሱራ» እተባህለ ምዕራፋት ጠርኒፉ ኣብ ሓደ ቁርኣን እተባህለ ቅጺ ጠሚሩ ዘቕረበ «ከሊፋ-ዑስማን» ይኣምኑ።

«ሽዒ» እተባህሉ ካብ'ዞም ንቕድም ዝጠቐስናዮም ዝፍለዩ ጉጅለ ከም ዝኣምንዎ ድማ፡ ብድሕር መሓመድ፡ «ዓሊ» እዩ ቀዳማይ ከሊፋ ዝኾውን። ዓሊ፡ ንመሓመድ ወድ-ሓወቦኡን ሰብኣይ'ታ ፋጥማ እተባህለት ሓንቲ ጓሉን እዩ።

ሃገር ዓረብ -ቱርኪ -ግብጺ -ቱኒዝ -ኣልጀርያ -ማሮኮ፡ ተኸተልቲ ስርዓት-ሱምሲ እዮም። እቲ "ሽዒ" እተባህለ ጨንፈር ድማ፡ ኣብ ፋርስ(ኢራን) -እንግሊዛዊ ህንዲ፡ ዝያዳ ይዝውተር።

ብዘይካ'ዞም ክልተ ዓበይቲ ዓውድታት፡ ካልኦት ሰጠቕ ዝበለ ኣገዳስነት ዝወሃቦም ንኡሳን ጉጅ-ለታት እውን ኣለው። ካብዚኣቶም፡ እቶም ኣብ መጀመርያ ናይ ዘለናዮ ክፍለ-ዘመን ሓይሊ ደሊቦም፡ ክሳብ'ውን ንቱርኪ-ግብጽን ዘርዓዱ ናይ «ኣል-መጅዩስ» ወይ ወሃባውያን (ወሃቢ) ዝበሃሉ ጉጅለ ይዝከሩ።

በቲ ውሩይ-ጨካን፡ ንገሪካውያን ክይተረፈ ኣብ ሓርንታዊ ቃልሶም ዘሰነፈ እብራሂም-ፓሻያ ብ 1821 ዓ.ም. ተሳዒሮም ምስ ተበታተኑ፡ ወሃባውያን፡ ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ሃገር-ዓረብ ክዑብሩ ተገዲዶም፡ ኣንጻር ቱርኪ ዘይወጽእ ጽልኢ እናሓቖኑ ይነብሩ። ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዓመታት ክብ እናበሉ መጺኦም፡ ብዛዕባ ቱርኪ እውን ክጸወሮ ዘይኽእል መጻኢ ዓበይቲ ፍጻሜታት ይፍጽሙ።

እዞም «ኣል-መጅዩስ» ወይ ወሃባውያን ከም ዝኣምንዎ፡ መሓመድ ስብከታዊ ተልእኮኡ ብዝፈጸመ፡ ኣብ ህይወት ተራ-ሰብ እዩ ተመሊሱ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ድሕነቱ እውን ክይ-ተረፈ ይጠራጠሩ። እምንቶም፡ ቁርኣን እዩ። ንኩሉ'ቲ ብሃዋርያ ተኸተልቲ ወይ ወረስቲ መሓመድ ኢና እናተባህለ ዝተኣታተወ ከም «ሱና» ዝፍለጥ ናይ ቁርኣን ኣፈታትሓን-ገለጻን-

6- ኣፈንዲ፡ ንቶም ኣብ እስላማዊ-ዓለም ሊቃውንቲ እተባህሉ ዝፍቶድ፡ ሲቪላዊ-መዓርግ እዩ።

እተወሰኹ ሕግታትን፡ከም ግዝኢቲ-ርኹሳትን፡ ይኹንኑ። በዚ'ውን ን«ሱናውያን» ከም ብካልኣይ-ደረጃ ዝስርዑ እስላም ይግምትዎም።

ምስ ቱርኪ ዘለዎም ጽልኢ፡ድርብ እዩ፥ሱናውያን ብምዃኖምን/ባዕዳውያን-ግዝኣቲ ስለ ዝበሃሉን።

«ስኑሲ» እተባህለ ጉጅለ፡ ናይቶም ኣብ ደረቕ-ምስልምና ዝኣምን -ሃይማኖታዊ ምጽውዋር ዘይፈቅድን ጉጅለ እዩ። እንጻር'ቶም ሃይማኖተ-ኣልቦ ዝብልዎም ኣመንቲ ካልእ ሃይማኖታት ንምድምሳስ፡ ቀጻሊ ኩናት ይምድቡን-ይሰብኩን።

«ማሕዳውያን» ድማ፡ እቲ ብቁርኣን ንብመላእ ደቅ-ሰብ ኣብ ሃይማኖት ሓደ-ኣምላኽ ንምምራሕ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ እዋን ክመጽእ እዩ እተባህለ «ማሕዲ»፡ ድሮ መጺኡ እዩ ኢሎም ዝኣምኑ እዮም።

ማሕዲ ግና፡ መጺኡ ሓደ-ክሊፋ ሓድጊ ገዲፉ ሞይቱ ከብቅዕ፡ ዓለም ከም ቀደማ ናብርኣ ትቕጽል ብምህላዋ፡ መሰረት እምነቶም ብቐሊሉ ዝርዳእ ይኸውን። ብተወሳኺ፡ እዚኦም እስላም ተባሂሎም'ኳ እንተተጸውዑ፡ ብኣንጻር ናይቲ ቁርኣን ዝኸተሎ ኣስተምህሮ፡ ማለት ንጸላኢ እውን እንተኾነ፥ «ላ እላ እላላህ -ኡ መሓመድ ራሱል ኣላህ» ኢሉ ምስ ዝጽሊ፡ ከም ኣማኒ- ቅዱስ ሰብን ምቕባሉ ዝብል ቁርኣናዊ-መምርሒ ጥሒሶም፡ብዘይምሕረት ይቐትሉ። ንእስላም ኢሒዋቶም እውን ከይተረፈ ከም ጊላ ይሸጡ። ስርቂ የዘውትሩ -ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ኣሓት የእትው(ንመርዓ)። እንስቶም ድማ፡ እቲ ብድሕሪ ፍትሕ ሰለስተ ወርሕን-ፈረቓን ምጽናሕ ዝውስን ቁርኣን ጥሒሰን፡ ሰብኣይ ፈቲሐን ብኡንብኡ ካልእ ይምርዓዋ።

ኣብ ሞንን'ቶም "ሑምሲ" እተባህሉ መስረታውያን፡ ኣገባብ ኣተረጓጉማ ሃይማኖታዊ ኣምልኾት ንዝምልከት፡ ኣርባዕተ እተፈላለዩ ኣገባባት ምህላዎም ይዝከር፥

«ሰላ» (ስጉድ)፡ ብመሰረቱ ሓምሳ-ጊዜ ክስገድ እኳ እንተኾነ ስርዓቱ፡ ንኣመንቲ ከጥዕም፡ ምውሓዱ ተፈቒዱ እዩ።

"ሓምበላውያን" እቶም ዝደረቑ ኩይኖም፡ 21 ጊዜ ይሰግዱ። "ሻዓይፈ" 15 ጊዜ ይሰግዱ። "ሓነፈ" 12 ጊዜ። "መልኪ" ድማ 4 ጊዜ ጥራሕ ይሰግዱ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ልምዳዊ ጽርየት ኣካላትን/ ካልኣት ንኡሰ-ግምት ዝወሃቦም ጉዳያትን ፍልልይ'ኳ እንተሃለው፡ ንመሰረት ናይቲ 4 ኣገባብ ኣዘፉፍላ ብዙሕ ኣይጸልዎን። እዮም 4 ኣገባባት፡ከም 4 መቕለመት ናይ ሓደ ጸባ-ሓቂ ዝሕለብ ጡብ ይግመቱ።

እስላም ደቀ'ባት መረብ/ምላሽ ኣብ ክልተ-ጉጅለ ይኽፈሉ፥ *ጀብርቲ -ነገራ ይበሃሉ።* ጀበርቲ፡ ጥንታውያን ተኸተልቲ ምስልምና ምዃኖም ይኣምኑ።

መሓመድ ብቅረይሽዓውያን ይህደን ኣብ ዝነበረ እዋናት፡ ኣብ ከባቢኡ ንዝነብሩ ነገስታት እምነቱ ዝገልጽን-ሓገዛት ምሕታትን- ዝኣመሰሉ መልእኽትታት ይልእኽ ነበረ። ንንጉስ ዓድ-ሓበሻ፡ «በላል» እተባህለ ዘመዱ ለኣኸሉ። "በላል" ብዙሓት ተኸተልቲ ኣፍረየ። ብሕልፊ ኣብ መረብ/ ምላሽ። ናብ ነቢይ-መሓመድ ብዝተመልሰ ድማ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ሓይሊ(ጀበር)ምስልምና ከም ዝረኸበ ገለጸሉ። ካብዚ እዩ'ውን እቲ ጀበርቲ ዝብል ስም፡ ነዞም ሓደስቲ ሰዓብቲ ምስልምና ተዋሂቡ። ዘርኦም ድማ፡ ምእንተ-ክብሪ ነቲ ስም ዓቂቦም ተረፈ።

ኩይኑ ግን፡ ጀበርቲ ካብቶም ካልኦት እስላም ኣዝዮም ይፍለዩ። ሓንቲ ሰበይቲ ይምርዓው። ነዚ'ውን ኣቕዲሙ ምስ ኣቦ/ ሓው/ ወይ ወኪል ናይታ 'ተገድስ መርዓት ኣቕዲሙ ብዝግበር ስምምዕ፡ ገዘሚ ኣይከፈሉን። ኣብ ሞንን ጀበርቲ፡ ሰብኣይን-ሰበይትን ብማዕረ ገንዘብ ተሳቲፎም እዮም ኣብ ጥቕሚ ናይ ሓባር-ቤት ዘውዕሉ። ፍትሕቲ ሰበይቲ ብድሕሪ 40 መዓልቲ እንደገና ክትምርዖ ይፍቀድ። ገጻ ኣይትሸፍንን። ተፈቲሓ ድማ፡ ኣብ ቤት-እቦኣ ክይተመልሰት ነጻ ኩይና ትነብር። ሓድ-ሓደ እዋን፡ ብሕልፊ ዝወለደት ምስ ትኸውን፡ ኣብ ቤት-ዝነበረ ሰብኣያ ትነብር። ጾመ-ሮሞዳን ንዝምልከት፡ ጀበርቲ ንናይ መካ ፍቕዲ ክይተጸበዩ ሓዳስ ወርሒ ተዓዚቦም፡ ባዕሎም የበግስዎ። ስለ'ዚ እውን፡ እቲ ዒድ ሓል ፍጡር ዝበሃል ዓቢ በዓሎም፡ ካብቲ ናይ መካ ኣብ ዝፍለ መዓልቲ እውን ክኽበር ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ዘሰናዋ 1893 ዓ.ም.(እዚ ጽሑፍ ኣብ እተዳለወሉ እዋን) ጀበርቲ ነዚ በዓል'ዚ መዓልቲ-ሰኑይ ክኽብርዎ እንከለው፡ እቶም መስረታውያን ዝበሃሉ ሑምሲ፡ ብሰንበት እዮም ኣብዒሎም።

ጸሎት/ ጽርየት ኣካላት ንዝምልከት ኣገባብ፡ ንናይ ሓነፈ(ሓናፊት) ልምዲ ይኽተሉ።

ነገራ፡ ንሓድሕዳዊ ምድግጋፍ ዝቖሙ ካዘየ ክፍለ-ወገን ኤርትራ እተኣኻኸቡ ዜጋታት እዮም። ቦታኦም፡ ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ከበሳ ይነብሩ። ሑምሲ ክነሶም፡ ካብዚኦም ዝፈልዮም ኣብ ኣገባብ ንጽህና-ኣካላት፡ ማይ ስለ ዘይጥቀሙ እዩ። ብሑጻን-ሓመድን ይጸርዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ማይ ኣብ ዘይርከበ ቦታ(ከም ምድረ-በዳ)፡ ቁርኣን እውን ይፈቕዶ እዩ። ብዘይካ'ዚ ድማ፡ መርዓ ኣብ ክንዲ ኣብቲ እተወሰነ መዓልታት ሰኑይ-ዓርብን ዝፍጸሙ፡ ብኽዋኽብቲ ይውስንዎ።

ኣብ ሞንጎኦም ነዚ ፍልጠት'ዚ ዝመለኹ ዜጋታት እዮም ድማ ኸዋኸብቲ ተዓዚቦም፡ ዝጠዓመ ወርሕን-መዓልትን ናይቲ መርዓ ዝውስኑ።

ነባራ፡ ብመንሰ-ማሕረስ-ካልእ ኢደ ጥበብን- ይናበሩ። ናይ ባዕሎም መሬት ዝወንኑ እዋን ኣይዝከርን። ጋሻ-መጻኢተይና ምኺኖም ድማ፡ እዚ ንባዕሉ እኹል መረዳእታ እዩ።

***

ሓጅ-ሓሰን ከ?

ብዛዕባ እስላም እንታይ ይብል?

ብድሕር'ቲ መሓመድ-ኣፈንዲ ዘቕረቦ ክልሰ-ሓሳባዊ ክፀሃል ዝከኣል ሓበረታ፡ብ«ሓጅ-ሓሰን[7]» እዩ ግብራዊ-መልክዑ ተገሊጹለይ።

ሓጅ-ሓሰን፡ ሓው ነቲ ብርሃኑ እተባህለ መራሒ ናይቶም ኣብ እስመራ ብስሙ መሰረት፡ብርሃኑ እተባህለ ፍሉይ ቁሸት ዘቖሙ እስላም እዩ።

ብርእይቶኡ፡ ኣብ ሓማሰን ሃይማኖት-ክኒሻ እዩ ብቐድሚ ምስልምና ዝዖዳ ክስፋሕፍሕን-ፍቕዲ ሰዓብቲ ክበርኽትን ዝረአ ዘሎ። እቲ ዘገርም፡ ኲተት ዝኾኑ ሓድ-ሓደ እስላም እውን ኣብ ሃይማኖት ክኒሻ ክሰግሩ ምርኣይ እዩ።

ክኒሻ ብታሕጓስ ቅቡል ሃይማኖት ኲይኑ ዝረአ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር ውልቁ፡ ስልማን ስለ ዝእምንሉ እዩ። ንማርያም፡ ቀዳምነት እተዋህባ ፍጥርቲ ምኻና'ኳ እንተኣመኑ፡ ከምቲ ካቶሊክ-ተዋህዶ ዝኸተልዎ፡ ብዛዕባ ሂዎት-ሞት-ድሕነት ነፍስን፡ ስልጣን ኩነ ተኸእሉ ኣይእምኑላን። ካምዚ'ሉ እውን ብርእይቶኡ፡ ሃይማኖት-ክኒሻ ብዝያዳ ንምስልምና ይቐመድ።

ኣብ ክልተ-ነጥቢ ግን ይፈላለዩ። እስላም፡እግዚኣብሄር ሲጋ ለቢሱ ክውለድን-ክመውትን ይኽእል ንዝብል እምነት ዋላ'ውን ብናይ ተምሳል መንገዲ ፈጺሞም ኣይቕበልዎን። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ድማ፡ ክኒሻ ንናይ መሓመድ ተልእኾ ዘይኣምንሉ ምኻኖም እዩ።

ክኒሻ እውሒሶምዎ ዝርከቡ ሓፈሻዊ ተቐባልነት፡ ብጽቡቕ ግብሮምን-ብዘይ ሃይማኖታዊ ኣፈላላይ ንኹሎም ስኡናት ስለ ዝምጽውቱን-ናይ ትሕትና ኣገባብቶም-ምስ ደቀ'ባት እውን ከም ኣባላት ናይቲ ስድራ ሓቢሮም፡ ብስነ-ስርዓት ሃይማኖታዊ ጉዳያት ስለ ዝረዳድኡን-ኣድላይ ኣስተምህሮታት ኢደ-ጥበብ/ ኣገዛብ ሕርሻን ስለ ዝምህሩን እዩ።

ካቶሊካውያን፡ ኣብ ሓማሴን ሰዓብቲ የብሎምን። ኲይኑ ተሪፉ ኣብቶም ካብ ሰንሒት-ኣከለ ጉዛይን ዝውለዱ ሰራዊት ደቀ'ባት ዝዓስከሩ ውሑዳት እዮም ዝርከቡ።

ጀበርቲ፡ ሓንቲ-ሰበይቲ ከም ዝምርዓውን፡ ኣንስቶም ድማ ኲርዓት-ሓርነት-ክብርን ዓቲበን፡ ከምትን ክርስትያን ደቅ-ሃገረን ገጽን ከም ዘይሽፍና ኣረጋጊጸለይ። ኣንስቲ-ጀበርቲ፡ ካብ ኣንስቲ ናይቶም ኣሳገምቲ ቀቢላታት(ሓባብ-ብንዓምር...ወ.ዘ.ተ.) ብዝፍለ መንገዲ፡ ብዝሒ-መውሰቦ (ፖሊጋምያ) ይቃወማ። እዘን ኣብ ድሓር እተጠቕሳ ግና፡ ማሕበራዊ-ሀላወአን ዘውሕስ መነባብሮ ምስ ዝረኽባ፡ ነዚ ጉዳይዚ ብዙሕ ኣቓልቦ ኣየድህባሉን።

ሓጅ-ሓሰን ብተዘታ ርእሱ እናንቕንቐ፡ ጀበርቲ እዚ ዝፍጽምሉ ምኽንያት፡ ኣብ ጸሎት ይኹን ኣብ ጾም...፡ሕጊ-ኣምላኽ ስለ ዘይኽተሉ እዮም ይብል።

ጀበርቲ ብማእለማ/ጥልፊ/ስፍየት/ዕዮ-ሜማ-ኲረሻን/ካልእ ጥበባትን ይናበሩ(ክርስትያን ሓበሻ ሓረስቶት ብምኻኖም ዝንዕቅዎም ስራሓት)። ብሓጺሩ ዝሰራሕ ዕዮታት ግን ኣይሰርሑን። እዚ ብኹሎም ተጸላኢ ዝኾኑ ጥበብ፡ ብሓድ-ሓደ ክርስትያን ሓበሻ ይዝውተር። መጽልእኡ፡ ጥንቆላ ብዝሕወሶ ህዝባዊ-እምነት፡እዞም ደርቢ እዚእም ብለይቲ ያኢ ኣብ ዝብእ ተለዊጦም፡ ቅትለት-እኪያትን ክፍጽሙ ይሓድሩ ስለ ዝበሃል እዩ።

እዚ ዝና'ዚ፡ ነቲ ኣብ ሃገርና(ኢጣልያ)፡ ሰብ፡ ኣብ ኣኽሰ-ተኹላ(Lupo Mannaro) ይልወጥ ዝብል እምነት መሲሉ፡ ኣብ ዓድ-ሓበሻ "ቡዳ" ይበሃል።

ሓድ-ሓደ ጀበርቲ፡ ብመንሰ-ማሕረስን እውን ይናበሩ። ብዘመኑ ጀበርቲ ኣብ ዝውለድሉ ዓዲ ማዕረ ደቅ-ዓዶም፡ መሬት ይማሰሉ ነይሮም እዮም። ብዘመን ንጉስ-ተድሮስ ድማ፡ ሕሉፍ ክብረ ተዋሂብዎም፡ ሽውዓተ-መሰኻኽር ክርስትያን ብሓባር እዮም ንምስክርነት ሓደ-እስላማይ ዝንጥምዎ ነይሮም ይበሃል።

---

[7]- ሓጅ ወይ ሓጂ፡ ንቶም መካ ዝኸዱ-እስላም ዝወሃብ መጸውዒ እዩ።

ንጉስ-ዮሃንስ፣ እስላም ደገፍቲ ግብጺ ኮይኖም፣ እንጸሩ ዝሰርሖ ሃሰሳት እዮም ብዝብል ፍርሒ፣ እቲ ውሩይ እዋጁ ጸረ-ምስልምና ብዝእወጀ፣ እቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ገዛኢ መረብ/ምላሽ እተባህለ ራእሲ-ኣሉላ፣ ብኡንብኡ ናብቲ ንጉስ ቀሪቡ፣ ነቲ ኣዋጅ ምምሕያሽ ክግበረሉ ዝብል ምኽሪ ኣቕረበ። ምኽንያቱ ድማ፣ እስላም ኣብዚ ወረዳ ምስ ዝነበሮም ሓይልን-ብዝሕን እንተድኣ ብሓፋሽም ተስዒዶም -ነዚ ዘተባብዕ እውን፣ ባሕርን/ ወራር ግብጽን ኣብ ጥቓኦም ብምንባሩ-ነዚ ወረዳ'ዚ ዓቢ ጉድኣት ክኸትል ምዃኑ፣ ኣሉላ ኣይዘንግዖን።

ኮይኑ ድማ፣ ምምሕያሽ ክምጽኣሉ ክኣለ። እስላም ከም ዝተረፉን- ብሰቲ፣ ድማ ሃይማኖቶም ክዘውትሩ ከም ዝፍቀዶም ገበረ። ብዝኾነ ግና፣ ካብ ሰራየ-ቆሓይን-ደቃ ተሰፋ-ክለቱ ተገደዱ።

እስላም ሰራየ፣ ኣብ ጉዳይፍ- እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ዓድ-ተኸላይ ከም ዝእከቡ ተገብረ።

ማዕረ'ቶም ጠቢባን ሰብ-ሞያ ተገሚቶም ድማ፣ ንዝኾኑ ምስክርነት ኣይብቕዑን ብምባል ኣብ ፍሉይ ሓለዋ ተታሒዞም፣ ሰብኣዊ-መሰላቶም ተጋህሰ። ከምዚ'ሉም፣ ኣብ ኣትየት ናይ እቶም ውትሩ ኣንጻሮም ዝለዓሉ ክርስትያን ወደቑ።

ጀበርቲ ካብዚ መዓት'ዚ እተላቐቑ፣ ራእሲ ኣሉላ-ሃጸይ ዮሃንስን ኣንጻር ኢጣልያ ኩናት ምስ ከተቱ እዩ። በብዓዶም መሬት ክሓርሱን-ምህርቶም ክሓፍሱን ተፈቒዱሎም ከብቅዕ፣ እንኪወፍሩ ግና፣ ስድራኦምን-ንብረቶምን ኣብቲ መእከቢኦም-ስፍራ ክሓድጉ ይግደዱ ነበሩ።

ኢጣልያ ክበሳ ብዝኣተው ግና፣ መብዛሕትኦም ናናብ መሬቶም ተመልሱ።

ሓጅ-ሓሰን በዚ ኢጋጣም'ዚ፣ ህዝቢ-ኤርትራ ነቲ መንግስቲ-ኢጣልያ ዝፈቐዶ ሃይማኖታዊ-ሓርነት የመስግና ምዃኑን/ ወጻኢ ካብ መግዛእትና እውን እዚ ብቕድመኡ ተሰሚዑ ዘይፈለጥ ወረ ብዝተሰምዓሉ፣ ኣድንቖት ከም ዘትረፈን- ግና እውን የድንቕ ምህላውን ገለጸለይ።

ክንድ'ዚ ሓርነት ዘፍቅድ ምምሕዳርና ክርዳእ ንማለት፣ ብዛዕባ'ቲ ንሕና እንዘውትሮ ሃይማኖት ንጹር መግለጺ ክቐርበሉ ምደለየ። ኣይተኻእሉን ግን። ምኽንያቱ፣ ዛጊት ንሱ ይኹን ደቅ-ዓዱ ንሕና እንኸተሎ ሕጊ ኣይነጸረሎምን።

ተዋህዶ፣ ተግባራትና (ብሓቂስ ውሑድ ድኣ) ከም ናይ መረጋገጺ ጭብጢ እናቕረቡ፣ ኢጣልያ ዘዘውትርዎ እምነት፣ ንናትና ይመስል ይብሉ።

እስላም ብወገኖም፣ ፍርቂ ሰራዊት ደቀ'ባት እስላማይ ምዃኑ፣ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳርና፣ እስላም ብቁርኣኑ/ ክርስትያን ብመስቀሉ እናመሓሉ ይዳንዩ ምህላዎም፣ ደስታኡ ገለጸለይ። ዘረባኡ ኣብ ዝፈጸመሉ ድማ፣ምናልባት ኣይክርስትያን-ኣይእስላም ሓዲግ ድኣ ክይትኾኑ ? እናበለ ብሰላም ተፋነወኒ።

* * *

ናይ ክኒሻ ስዊድናዊ-ሚስዮን

ብዛዕባ ስዊድናዊ-ሚስዮን ዝቐርብ ሓበረታ፣ ተንካኢ ጉዳይ ክኸውን ስለ ዝኽእል፣ ባዕለይ-ደራሲ ዝጠርነፍክዎ እዩ። ውሽጣዊ ህይወቱ ንዝምልከቱ ጉዳያት ግን፣ ብደገፍ ሓላፊ ናይቲ ሚስዮን «ዶክቶር እንድሪው-ስዀንሶን» እዩ ተማሊኡ። ነዚ ሊቅ-መስተውዓሊ-ቅንዕና ዘላዮን ዶ. ስዀንሶን መጽናዕተይ ንምክንዋን ዘቕረበለይ ሓገዝ፣ ኣብዚ ኢጋጣም'ዚ የመስግን።

ስዊድናዊ-ሚስዮን ዝኸተሎ እስተምህሮን/ሃይማኖታዊ መስመርን፣ ናይቶም ከም ሰዓብቲ እምነት «ሉውተሪ» ዝፍለጡ ምእመናን እዩ።

እቲ ሚስዮን፣ ሓሙሽተ መደበራት ይርከብዎ፥

ምንኩሎ፣ኣብ ገማግም-ባሕሪ/ ገለብ ኣብ መንሳዕ/ በለዛ-እስመራ-ጸዓዘጋ ኣብ ሓማሴን እዮም። ብዘይካ'ዚ ኣብ «ጥዋለት»(ባጽዕ) ሓደ-ሚስዮናዊ እኳ ዘይነብሮ መዕቆቢ-ቦታ ኣለዎም።

ኣባላት ናይቲ ሚስዮን፣ 8 ሰብኡት- 6 ደቅ-ኣንስትዮ እዮም። ብመሰረት ኣድላይነትን/ ብዝሒ ቍ. ናይቶም ሓደስቲ ምእመናን ድማ፣ ኣብ እተፈላለዩ ንቑጣታት ፋሕ ኢሎም የገልግሉ። ፍቕዲ ናይቶም ብዝተፈላለየ ደረጃ "ስዊድናዊ-ሚስዮን" ዝኸተሉ ደቀ'ባት፣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

ምንኩሎ 21	ካብዚኦም፣ ነቲ እምነት ተቐቢሎም ዝንቀሳቐሱ	16
ገለብ 31	= = = = =	13
በለዛ 38	= = = =	23
እስመራ....... 18	= =	15

ጸዓዘጋ 36	=	=	=	=	=	23
ጠቕላሊ ድምር 144						90

ብተወሳኺ፥ ነፍስ-ወከፍ ነቑጣ ክከም ዓቕሙ ዝጸወሮም ፍቕዲ ተመሃሮ ይርከብዎ። ብዘይካ'ዚ 3 ቤት/ትምህርቲ ህጻናት እውን ተመስሪቱ እዩ። ስእላዊ-መረድኢ ናይዚ ኢቃውማ'ዚ ከም ዝስዕብ እዩ፥

ቤት/ ትምህርቲ	ቤት/ትምህርቲ ህጻናት
ሞንኩሎ.........20 ተመሃሮ	-
ገለብ ....20 =	15 ደቕ-ኣንስትዮ
በለዛ ....20 =	40 ደቕ-ኣንስትዮ
ኣስመራ...........4 =	-
ጸዓዘጋ ....36 =	33 ደቕ-ኣንስትዮ
ጠቕላሊ 100	88 ህጻናት

ስለዚ ብጠቕላላኡ ፍቕዲ ናይቶም ኣብ ትሕቲ ኩስኩሳ ስዊድናዊ-ሚስዮን ዝርከቡ ደቀ'ባት= 332 እዩ።

እቲ ሚስዮን፥ ክልተ ናይ ሕክምና ሰፈራት እውን ይርከብዎ። እቲ ናይ ሞንኩሎ፥ ብሓደ ኣብ ኢዲምቡርግ(ስኮትላንድ)-ዩኒቨርሲቲ ብሕክምና እተመረቐ ስዊድናዊ-ሓኪም ዝምራሕ ክኸውን እንከሎ፥ እቲ ኣብ በለዛ ዝርከብ ቤት-ሕክምና ዘበርኩቶ ኣገልግሎት፥ ኣብዚ ጥበብ'ዚ ተመኩሮ ብዝደለበ ስዊድናዊ-ዜጋ እዩ ዝከናወን።

ኣብ ሞንኩሎ ሓደ-ቤት/ማሕተም እውን ብምህላው፥ ብቛንቋታት ናይዚ ዓዲ፥ ኣድለይቲ ዝበሃሉ መጽሓፍቲ ይጸሓፉ-ይሕተሙን። ኣብ ህልዊ-እዋን፥ እቲ ኣብ ንግስነት-ጅማ ዝዘውተር (በቶም ካልኦት ባዕለ-ምሕዳራት መንግስታት-ጋላ እውን ርዱእ ዝኾነ) ቛንቋ-ጋልኛ ከም መሰረት ተወሲዱ፥ በዚ ቛንቋ'ዚ ተተርጒሙ እተዳለወ መጽሓፍ-ቅዱስ ኣብ ምሕታም ይርከብ።

እቲ ሚስዮን፥ ዝስዕቡ ኢደ-ጥበብ እውን የስተምህር፥ ጽርበት ዕንጸይቲ/ ሓጺን/ ነዳቓይ/ ምሕታም-ምጥማር መጽሓፍትን። ናይ ሓጺን ስነ-ጥበብ በቶም ደቀ'ባት ነውሪ ስለ ዝበሃል፥ ነዚ ጥንቆላዊ-እምነት ንምስራዝ፥ ሚስዮናውያን ብዙሕ ጻዕርታት የካይዱ። እቲ ሚስዮን ብዘድሊ ኣግባብ ንምክትታል፥ ጊዜን-ጥዕም ኩነታትን'ኳ እንተዘይረኸበ፥ ሓጺር ናይ ሕርሻ ኣስተምህሮ እውን የካይድ እዩ።

ኣብ ናይ ሚስዮን ቤት/ትምህርታት እዞም ዝስዕቡ ቛንቛ እውን ከም ኣስተምህሮ ይቕርቡ፥ ኣብ ገለብ፥ ትግረ-ኣምሓራ--ጣልያን/ ኣብተን ዝተረፉ ቤት-ትምህርቲ ድማ፥ ትግራይ(ትግርኛ)-ኣምሓራ--ግእዝ-ጣልያን።

ቛንቋ-ጣልያን፥ብፍሉይ ኣገዳስነት ኣስተምህሮ ይወሃበሉ። ቅድሚ ናይ ኢጣልያ-ወረር፥ ልኡኻት ስዊድናዊ-ሚስዮን ኣብ እዋናት ዓመታዊ-ዕርፍቶም ካብቲ ዘይጽወር ሃሩር ገማግም-ባሕሪ ዘኸትሉ ድኻማት ንክገርፉ፥ ን "ደብረ-ሊባኖስ ሰርያ" እዮም ዝንዓዙ ነይሮም። ኢጣልያ ባጽዕ ብዝኣተወ ግና፥ ሚስዮናውያን ኣብ ክክልተ-ዓመት ንኤውሮጳ ምምላስ ስለ ዝፍቀዶም፥ ብዙሓ ዕረፍቶም ቛንቋ-ጣልያን ክመልኩ ኣብ ኩተማታት ፈረንጸ-ሰየና(ኢጣልያ) ክሕልፍዎ ይረእዩ።

በዚ መደብ'ዚ እዮም'ውን ን ጊዮርጊስ-ትርፈ እተባህለ መንእሰይ ወደ'ባት፥ ንትምህርቲ ምሳእም ኣብ ፈረንጸ መዲቦምዎ። ጊዮርጊስ፥ ሓሙሽተ-ዓመት ዝኣክል ኣብ ከተማ-ፈረንጸ ጸኒሑ ቛንቋ መሊኹ ጥራሕ ዘይኮነ፥ ኢጣልያዊ ኣገባብ/ ስነ-ስርዓትን ቀሚሱ፥ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ንሃገሩ ተመሊሱ። ንሱ ቛንቋ-ኢጣልያ ንደቕ-ዓዱ ክምህር፥ኣብ ናይ ጸዓዘጋ-ሚስዮን እዩ ተመ-ዲቡ ዝነበረ። ወድ-ሕያዋይ ግና ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሚያዝያ 1893 ዓ.ም. ኣቢሉ፥ውሑድ መዓልታት ብድሕር መርዓኡ፥ ብሞት ተፈለየ። በዓል-ግርማ/ ሕያዋይ-መስተውዓልን እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ኢጣልያ፥ ዓቢ ኣድንቖት እዩ ዝነበሮ። ሞቱ፥ ፈላጢኡ ንዘበለ ኩሉ ዓቢ ሓዘን እዩ ኣኸቲሉ።

ሕያዋይ/ ሰብእዊ-ኣገባብ ዝሓለወን ኣስተምህሮ ናይ ከኒሻ-ሚስዮናውያን፥ መኸሰብ ዝርከቦም ተመሃሮ እዩ ክምልምል ጸኒሑ። ኣብ ደቀ'ባት፥ እቶም ብኣጻባዕ ዝፍቀዱ ጥበብ ዝመለኹ ሰራሕተኛታት፥ ኣብዚ ቤት/ትምህርታት'ዚ ዝፈረዩ እዮም። ፈደላዊ-ትምህርቲ ድማ፥ ንቤት/ ትምህርትን-ሃይማኖታዊ ስብከትን ዘገልግሉ መምሃራን ይምልምል።

ናይ ሚስዮን ተመሃሮ ብ ስርዓት-እሩም ኣገባብን ማዕቢሎም፣ ብኡንብኡ ብእትዕዘዝ ትሕትና-ጠባይ-ጽርየት፣ ኤውሮጳውያን ይመስሉ። እዚ ተመሳሳልነት'ዚ ድማ፣ ቡቲ ከም ናይ ኤውሮጳ ዝመስል ብሓባር ዝለብስዎ ልብስታት/ ባርነጣ ወ.ዘ.ተ. ትምልከቶ።

ኣብዚ ዕዮ'ዚ ዓቢ እጃም ዘበርከቱ፣ ሚስዮናውያን ደቅ-ኣንስትዮ እዮን። ንሰን ብዛዕባ ቅዲ-ክዳን/ ስፍየት/ ልብሲ-ህጻናት/ ይከታተላ። ንደቅ-ኣንስትዮ ደቀ'ባት ድማ፣ እዝን- ካልእ ኣገዳሲ ዝኾነ ዘቤታዊ-ጥበባት የስተምህራ።

እተፈልጠ ቅንዕና ዶ. ስቨንሶን ደጊሙ ዘረጋግጽ፣ እቲ ንሱ ባዕሉ ብዛዕባ'ቲ ሚስዮን ዘቕርቦ ርእይቶ እዩ። ንሱ ከም ዝብሎ፥

ኩሎም'ቶም ኣብ ሚስዮን ዝጽግዑ፣ ዝወሃቦም ኣስተምህሮታት ተረዲኦም፣ ሓቀኛ እምነት ኣሕ-ዲሮም ኣይኮኑን ዝቕርቡ። ነቲ እተፈላለየ መልክዓት ሃይማኖት-ክርስትና ዝፈላሊ ረቋሒታት ብግቡእ ምርዳእ ንባዕሉ፣ ምስትውዓል -ኣፍልጦ -መጽናዕትን ዝሓትት እዩ። ስዊድናዊ-ሚስዮን ግን፣ ምብርካት ፥ቍ. ሰዓብቲ ኣይኮነን ዕላማኡ። ብዘይካ ካብ ንጹህ ኣተሓሳስባ እተበገሱ፣ እቶም ነጋራዊ-መኽሰብ ኣቕዲሞም ሃይማኖት ክልውጡ ዝደልዩ ዜጋታት፣ ኣይቅበላትን እዮም። ውሽጣዊ ተሃድሶ ወድ-ሰብ ኰይኑ ዕላማኦም፣ ናይ ፍቕዲ-ጃህራ ገዲፎም፣ ምስፍሕፋሕ ምዕባለን/ ሞራላዊ ስርዓትን እዩ ዋና ክብሪ መኽሰባቶም።

ጊዜ እዩ ድማ ስራሑ ክይረሰዐ፣ ነዚ ጸማ'ዚ ዝኸሕስ። ስለ'ዚ እዮም'ውን ንደቀ'ባት ሰዓብቲ ሃይማኖቶም እንክኾኑ፣ ብጥንቃቕ ዝመምይዎም።

ብዛዕባ ሕግታት-እምነቶም ድማ፣ ጽኑዕ ኣስተምህሮ እናሃቡ፣ ንናይ ጥንቀላ እምነታት ይኹን-ካልእ ብደቀ'ባት ካብ ክፍለ-ዘመናት ኣትሒዙ ብሃይማኖታዊ-ልምድታት ተኣታትዩ፣ ኣብ ዕለታዊ-መነባብሮ ህዝቢ ዝዝውተር ኣመላት፣ ፈጺሞም ሕድግታት ኣይገብርሉን።

ዶክቶር ስቨንሶን ነዚ ገዳይዚ ክገልጾ እንክሎ፥

«ደቀ'ባት፣ እቶም ደቅ-ዓዶም ዘዘውትርዎ ሕሉፍ እምነት ማርያምን-ጻድቃናትን- እቲ መጽሓፍ ቅዱስ ፈጺሙ ዝውግዶ ኣምልኾ ምስልታትን፣ጊጋ ምኽኑ ተረዲኦም ክሳብ ዘይእረሙ፣ ኣብ ሚስዮን ቅቡላት ኣይኮኑን» ይብል። ኰይኑ ግና፣ እቲ ሚስዮን ምስ ኩሎም ዘዘውትሮ ሕያውነት-ፍቕርን፣ ኣየቋርጽን። ንኩሎም'ቶም ናብኡ ዝጽግዑ፣ የነቓቕሕ-የስተምህርን። ከምዚ'ሎም እተማህሩ ሰባት፣ ሕልፊ ጠባይ-ቅንዕናን ሃልይዎም፣ ከምቶም ኣብ ተዋህዶ ዝእምኑ ደቅ-ዓዶም፣ ከንቱ ጃህራ ኣየዘውትሩን። ብዘይካ'ዚ ድማ፣ ብሳላ ስዊድናውያን፣ ኣምር ስድራ-ቤት ካብቲ ዝጸንሐ ግዳማዊ-መልክዓቱ ኣብቲ ቅኑዕ ኣተረጓጉማኡ እናሰረተ መጺኡ።

ስቨንሰን ብታሕንስ ከም ዝገልጾ፣ ኣብ 15 ዓመት ናይ ስብከት ኣገልግሎቱ፣ ኣብ ሞንጎ'ቶም ሓደስቲ ሰዓብቱ፣ 40 ዝኣክል ስርዓት ቃል-ኪዳን እንኪፍጽም፣ ክልተ-ፍትሕ እዩ ጥራሕ ኣመ-ዝጊቡ። ኣብዚ ምፍታሕ ከም ልምዲ ዝዝውተረሉ ቦታ ድማ፣ እዚ እተረኽበ፣ ዘዕግብ ውጽኢት እዩ። ናይቲ ሚስዮን ፍልስፍና ምብራህን- ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት፣ ደፋእ እናበለ ከም ዝኸይድ ንምግላጽን፣ ዶ. ስቨንሰን፥ «...ከም ቃል-ኣምላኽ ደፋእ እናበለ ዝሰራጨውን-ሱር እናተኸለ ዝኸይድን እዩ» ይብል።

ብዘይካ'ዚ፣ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግባእ ረቋሒ፣ እዚ ኣብ ከበሳ ክካየድ ዝጸንሐ ስብከት፣ ኣብቲ 10 ዓመት እከይ መግዛእቲ-ትግራይ ብናይ ኢትዮጵያ መዝነት ፈጺሙ ተኸልኪሉ፣ ኣብ ገለብ ዝነበረ መደበሮም ተደምሲሱ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት እዩ ተኻይዱ።

ስለ'ዚ፣ ብቕድሚ ናይ ኢጣልያ-ወራር፣ እቲ ክህልዎ ዝግባእ ምስፍሕፋሕ፣ ተዓጊቱ እዩ ጸኒሑ።

ባህሪ ናይቲ ህዝብን/ ዋሕዲ ናይ ዝሓለፈ ጊዜን ተመልኪትካ ግና፣ እቲ ሚስዮን ኣብ መፈጸ-ምታ ዘብጽሖም ስርሓት፣ ኣዝዮም ዘድንቑ እዮም። እቶም ከም'ዝ ከማይ(ደራሲ) ብተጻራሪ መርትዖ ቀሪቦም፣ ዓወት ናይቲ ሚስዮን ዘይኣመኑ፣ እቲ ዘቕደምዎ ግምት ጉጉይ ምኻኑ ክኣምኑ ይግባእ። ምናልባት ድማ እቲ ምርኢታዊ ዝኾነ ናይ ተዋህዶ ኣገባብ(ብዝኾነ ኢጋማሚ ተጠቒምካ፣ ኣብ ውዱሲ ምዝምባል) ጥዑም ናብራ እናተመነኻ፣ ብዛዕባ መጻኢ-መደብ ዘይምሕሳብ፣ ከተሓሳስብዎ ካብ ዝኽእሉ ጉጉይ ግምታት ርሒቑ፣ ኣብ መዓሙቕ-ኣእምሮ ደቀ'ባት፣ መሰረት/ ቅውም-ነገርን ዝርከዎም፣ ሓድ-ሓደ ብልጫ ኣይምተሳእኑን። ከምኡ'ውን ምናልባት እዚ ብልቓሕ ዘምጽእዎ ቅዲ፣ ነቲ ካብ ነዊሕ ክፍለ-ዘመናት ኣትሒዞም እተጻወርዎ ግፍዒ-ሓያላን ንምሽፋን-ምርሳዕን ዝጥቀምሉ ኣገባብ-መስርሕ ክይከውን እውን ዘጠራጥር እዩ።

ብርእይቶ ዶክቶር-ስቨንሰን፣ ክርስትያን ኣብ ሰለስተ-እምነት(ተዋህዶ-ከኒሻ-ካቶሊክ)ምኽፋሎም ዋላ'ውን ብተዘዋዋሪ፣ ንምስፍሕፋሕ ምስልምና ዝድግፍ ረቋሒ ኣይኮነን። ተመሳሳሊ ርእይቶ፣ ብካልእ ወገናት'ኳ ዝሰማዕክዎ እንተኾነ፣ ከም ርጉጽ ምቕራቡ ዘይድፈር እዩ።

ኣብ መወዳእታ ግና፣ ስዊድናዊ-ሚስዮን ዝጥቀመሉ ኣገባብ-መስርሕ ምጥቃስ፣ ኣድላይ ይኸውን

-ብመጀመርያ፣ መደበር ክቕውም ኣብ እተመደበሉ ቦታ፥ ትሕት ዝበሉ ህንጻ/ ጽሩያት/ ብጽቡቕ እተሰናደው ኣባይቲ ይህንጹ። ቤት/ትምህርቲ ህጻናት ይቕውም። ኣብ ንኡሳን-ግርሁ ናይ ጃርዲን ኲስኲሳ ዝኣመስሉ ዕዮ ይብገሱ። ምስ ደቅ-ዓዲ ዕላል-ዝምድናን ይጅምር።

ኣብ ዝካየዱ ዘተ፣ ሃይማኖታዊ-ዕላል እዩ ዓብላሊ። ስርዓት ናይ ዝካየዱ ክርክራት ንምሕላው፣ ሚስዮናውያን፣ ኣብቲ ብሰፊሑ ዝዝርጋሕ መጽሓፍ-ቅዱስ ይምርኮሱ። እቲ መደበር ይቕውም።

ስዒበን፣ ሚስዮናውያን ደቕ-ኣንስትዮ የርክባ። ክንክን-ህጻናት ይኹን/ ኣስተምህሮ ተወሳዶ ደቅ-ኣንስትዮ፣ ኣብኣን ይውሰን። ብዘይካ'ዚ ድማ፣ ናብራ ሚስዮናውያን ብጾተን ደቅ-ተባዕትዮ ብኣአን ስለ ዝኣለ፣ ስድራ--ቤታዊ ሃዋህው ይፍጠር።

ከምዚ'ሉ ድማ መንፈሰም ካብ ሃገራዊ-ውድድራት ሓራ ኲይኑ፣ ብቕሳነት ኑቲ ዝኣምንዎ ቃል ኣምላኽ ክነብብ ኣብ ኣእምሮን-ልብን ዝሰቱር ይገልጽዎ።

ኣብ ህልዊ-እዋን ፍቕዲ-ተኸተልቶም ብዙሕ ኣይበሃልን። እቶም ነዚ ሓድሽ-ሃይማኖት እተቐበሉ ደቀ'ባት ግና፣ ብብስለት-ነጻ ምርጫን ዝኣመንዎ ብምዃኖም፣ ንሓዋሩ ካብኡ ኣየግልሱን።

***

ኣብ ኣኽሩር ዝርከብ

ናይ ፈረንሳ ካቶሊካዊ-ሚስዮን

እዚ ኣርእስት'ዚ፣ ብእተፈላለየ ምኽንያታት ተኻኢ ክኸውን ስለ ዝኽእል፣ ብዘይ-ቫርንትን/ ብዓሚቑ ኣፍልጦን ምቕራቡ ይግባእ።

ምእንቲ'ዚ ድማ፣ ብዓቕመይ ስለ ዘይተኣማመንኩ፣ ኑቲ ብዛዕባ ወረዳ-ኣከለ ጉዛይ ዓሚቑ ኣፍልጦ ዘለዎ ዓርከይ-መሳርሕተይን «ካቫልየረ አድጋርዶ ባርባንቲ ሲልቫ» ተወከስክዎ። ንሱ ኣብዚ ወረዳ'ዚ ነዊሕ-እዋን ብምቕማጡ፣ ሃይማኖታዊ-ህይወት ናይዚ ንውልቁ ካብ ሓሙሽተኦም ወረዳታት መረብ/ምላሽ፣ ካቶሊካዊ-ሚስዮን ኲሉ ካቶሊካውያን ደቀ'ባት ዝርከብሉ ቦታ፣ ብግብራዊ-መምዘኒታት ርእይቶ ከቕርብ፣ ብቑዕ በዓል-መዚ እዩ።

ግብግን-ባርባንቲ፣ ንዘቕረብኩሉ ሕቶታት ብከምዚ ይምልሶ፥

ካቶሊካውያን-ከሃናት ደቀ'ባት፣ ብዘይካ'ቲ ብምእመናን ዝምጽወተሉ/ሚስዮን ንነፍስ-ወከፎም ዘበርክቶ ወርሓዊ 5 ቅርሺ-ባጠራን፣ ካልእ እትዋት የብሎምን።

ብትውልድን-እንዳዊ ተገብእን መሰል ምስ ዝህልዎም፣ ኣብ ዝውለድሉ ዓዲ ብዴሳ ይማስሑ። ካህናት ተዋህዶ ግና ብብዝሒ፣ እብቲ ዝነብርዎ ዓድታት ብፍታው ናይቲ ህዝቢ፣ ንቤተ-ክርስትያን/ምምሕዳሩን ተባሂሉ፣ መሬት ይፍለየሎም እዩ። ኣብ ምሉእ ኣከለ-ጉዛይ ብዘይካ ኣኽሩር(ኣብዚ'ውን 5-6 እንዳታት ተዋህዶ ዝርከብሉ) ብምሉኡ ብካቶሊክ እተሃዘበ-ዓዲ ብዘይምህላው ድማ፣ እቲ ፍልልይ ብዝያዳ ይደምቕ። ብድሕር ኣኽሩር፣ ኣብ ሰገነይቲ/ ዓድ-ኣንገሮም እዩ ብዝሒ ካቶሊካውያን ዝዕብልል። ኣብዚ ወረዳ'ዚ፣ እስላም እውን ሓያል እዩ ፍቕዶም። ኣብ ሰንዓፈ ንኣብነት፣ እስላም እዮም ዓብለልቲ። ዓድ-ኣገራ እውን ብእስላም እዩ ተሃዚቡ። ኣብዚ ዝሰዓበ እዋናት ድኣ፣ ህዝቢ ዓድ-ኣገራ፣ ናብ ህዝብታት ጋዞ-ሓዞ ስለ እተሰደዱ፣ ብካቶሊካውያን እዮም ተተኪኦም።

ኣብዚ ዞባ'ዚ ዝነብሩ እስላም፣ ነገደ-ሳሆ እዮም። ኣብ ሞንጎኦም ድማ፣ "ጀበርቲ" ኣይርከቡን። ኣብ ምሉእ ኣከለ-ጉዛይ፣ እዚ ናይ ኣኽሩር ሚስዮን እዩ ንውልቱ፣ ካቶሊክ ዝመስረትዎ ትካል። ካብዚ እዮም'ውን እቶም ኣብ ፎቕድኡ ካቶሊካውያን-ኣሃዱ ኣብ ዝርከብሉ ቦታታት ፋሕ ኢሎም ዝንቀሳቐሱ 17 ካህናት ደቀ'ባት ዝዋፈሩ።

መንግስቲ-ኢጣልያ ንናይ ካልእ-ሃገር ሚስዮናውያን ትም ኢሉ ምዕዛቡ፣ ንደቀ'ባት ዘገረመ ጉዳይ እዩ። ፈረንሳይ ምስ ኢጣልያ ከም ዘይቃደው፣ ደቀ'ባት ኣጸቢቖ እተረድኦም ጉዳይ ስለ ዝኾነ ድማ፣ ብዛዕባ'ዚ፣ ንመኲንናትና ኣዋጣሪ ሕቶታት ዘቕርብሉ እዋናት፣ ሳሕቲ ኣይኮኑን።

ካቶሊካዊ-ሃይማኖት ክይምዕብል ዝዓግቱ ምኽንያት፣ ብከምዚ ክጥቀሱ ይክእሉ፥

1)-ሽለልትነት ደቀ'ባት-2)-ሚስዮናውያን ንምስፍሕፋሑ ዝሓጽርዎ ተበግሶን፣እዮም ብሓጺሩ።

እቶም ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት ክስፋሕፍሕ ዝደገፉ ረቛሒታት ድማ፥

1)-ደቀ'ባት፣ እዚ ሃይማኖት'ዚ ምቕባል ንኢጣልያ ደስ-ምባል መሲሉ ስለ እተራእዮምን-2)-ውልቃዊ-ጽልዋ ናይቲ ንሕና ኣብኡ ዘንበርናዮ መራሕን እዮም ብሓጺሩ። እዚ ሰብ'ዚ፣

ብቑዕ ምኽንያት'ኳ እንተሃለዎ፣ ከቢድ-ዝበን ብምፍጻሙ፣ ኣብቲ ምሕረት እግዚኣብሄር ክግበረሉ ብዘሕደሮ ተስፋ እተቐበሎ ሃይማኖት-ካቶሊክ፣ ጽኑዕ እምነት ዘለዎ እዩ።

ኣብ ኣኽሩር ዝርከብ ካቶሊካዊ-ሚስዮን ዝኾነ ዓይነት ኢደ-ጥበብ ኣይምህርን።ንምዕባለ ዝድግፉ ኣስተምህሮታት፣ ብመጠኑ እንተዘይኮይኑ፣ ከም መደብ ኣይኪታተልን። ምዕባለ-ብልጽግናን ደቀ'ባት ከኽትሉ ዝኽእሉ ኣስተምህሮታት ማሕረስ-መጓስ-ኢደ ጥበባት፣ ኣየስፋሕፍሕን ። ኣብ ኣኽሩር ዝርከቡ ሚስዮናውያን፣ ንቶም ዳርጋ 20 ዝኾኑ ኣብ ቤት/ትምህርቶም ዝርከቡ ህጻናት፣ ቋንቋታት ኣምሓራ-ትግራይን ጽሕፈት/ንባብ የስተምህሩ። ጊዜኦም ኣኺሉ ምስ ተባህለ ድማ፣ ንቶም መስተውዓልቲ ዝበልዎም መሪጾም፡ኣብ ከረን ንዝካየድ ሃይማኖታዊ-ሰሚናር ይምድብዎም።

እቲ ኣብ ኣኽሩር ዝብገስ መባእታ ኣስተምህሮ ቋንቋ-ፈረንሳ፣ ምስ ቋንቋ-ላቲን/ ካልእ ሃይማ-ኖታዊ ዲሲፕሊናትን፣ ኣብ ከረን ይቕጽል-ይመሓየሽን። ኣብዚ ናይ ከረን ሰሚናር(ናይ ፈረንሳ ሚስዮን'ኳ ደስ ኢልዎ እንተዘይተቐበሎ) ብንጹር ድልየት ናይ ሮማ-ጳጳስ፣ ኣብዚ ናይ መወ-ዳእታ እዋናት ብናይ ኢጣልያ-ሚስዮናውያን ዝስዕወን ኣስተምህሮ ቋንቋ-ጣልያን እውን ተኣታትዩ ኣሎ።

ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ዝርከቡ ካቶሊካውያን ደቀ'ባት፣ ንቶም ኣብ ሃይማኖት ተዋህዶ ዝኣምኑ ደቅ-ዓዶም፣ ብሓደ-ነገር ፍላይ ይበልጽዎም። ኣብ ዘቤታዊ-ዝምድናታት። ፍትሕ ኣየዘውትሩን፣ ወይ ብሳሕቲ ስለ ዘጋጥም እዩ። እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ ካልእ መዳያት ዘኹተልዎ ለውጢ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን።

ብሓፈሻኡ ኣብዚ ኣስታት 50-60 ሽሕ ህዝቢ ይነብሩ ተባሂሉ ዝግመት ወረዳ'ዚ፣ 7-ሽሕ ዝግመቱ ካቶሊካውያን ክህልው እንክለው፣ 500 ኣቢሎም ዝኾኑ ድማ፣ እስላም እዮም።

ካቶሊካውያን ኣብ ሰሜናዊ-ክፍሊ«ሰለስተ ወደ'ከሰ» እንኪነብሩ፣ እስላም ኣብ ሰንሃፈ-ሽመዛና-ኣብ ደቡብን ይርከቡ።

እቶም ካቶሊካዊ-ሃይማኖት ብእምነት እተቐበሉ ደቀ'ባት፣ ውሑዳት እዮም። ወረ'ውን ባርባንቲ ከም ዝብሎስ፣ ፈጺሞም'ኳ እይምተረኽቡን። ዝርከብዎም ብመንግስቲ-ኢጣልያ/ ብሕልፊ ድማ ብደጊዮት ባህታ-ሓጐስ ተቐባልነት ንምርካብ ዝኣመንዎ እዩ። እቲ ካብ ሚስዮን ዝረኽብዎ ሓገዛት ውሑድ ብምዃኑ፣ ኣብቲ ብሰፊሕ ዝዕደል ቅዱስ-ምስሊታትን/ ብቁጠባ ዝወሃብ-መድሃኒታትን ስለ ዝውሰን፣ ንቲ ምጥርናፍ ክምልሶ ዘይሕሰብ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ድማ፣ ሓፋሽ ህዝቢ፣ ክህሉ ንዝኽእል ፍልልይ ሃይማኖታዊ እምነታት፣ መሰረቱ ተረዲኡ እዩ ብንቕሓት ነዚ ሃይማኖት ተቐቢልዎ ኢልካ ምእማን ኣይከኣልን።

ናይ ፈረንሳ-ሚስዮን ብጥንታዊ ልምድን-ኣገባብን ክቕጽሉ ካብ ዝፈቐዶም ውሑድ ሕድገታት፣ 1)-ቅዳሴ ብቋንቋ-ግእዝ ክፍጸም/ 2)-ኣገባብ ቅዱስ-ቁርባን፣ ብሕብስቲ ስለ ዝፍጸም ምዃኑ እምበር፣ ጥንታዊ-ልምዲ እዩ ዝኸተል/ 3)-ኣብ ሞንን ካቶሊካውያን ደቀ'ባት፣ ባህላዊ ብዓላቲ ዓቂቡ፣ ናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ እዩ መምርሒ ዝኾውን/ ዝኣመስሉ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

መውሰቦ ንዝምልከት፣ ካቶሊካውያን ካህናት ክዋሰቡ ኣይፍቀድን። ተዋሲቦም ዝጸንሑ ካህናት ተዋህዶ-ነበር ድማ፣ ክፉትሑ ይግደዱ። እዚ ንወገን ገዲፍካ ግና፣ እቲ ጐሊሑ ዝረኣ ድኽመት፣ ሃይማኖታዊ-ኣስተምህሮ ብዘግሃዶ ሰንፍና፣ መምሃራን ኮኑ ተመሃሮ ንቲ ዘሎ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ፍልልያት(ሃይማኖታዊ-ሕጊ)፣ ኣዕሚቖም ክጽንዕዎን-ክመልክዎን ዘይምኽኣሎም እዩ። ስለዚ እውን ሚስዮናውያን፣ ካብ ሃይማኖት ናብ ስምዒት ዘምበሎም፣ በቲ ወትሩ ራዕዲ ዘሕድር ናይ ኤውሮጳውያን ዓብላሊ ስነ-ፍልጠት ኮነ/ ፍርሒ ገሃነም-እሳት ብዘኹትልዎ ስልጣን ተጠቒሞም እዮም ዝዋፈሩ ዳርጋ ክበሃል እውን ምተኽኣለ። ብዘይካ'ዚ፣ ፍትሕ ስለ ዘይፈቕዱ፣ ናይ ደቅ-ኣንስትዮ ዓቢ ደገፍ እውን ኣለዎም እዩ። ዘሎ ባህላዊ-ብዓላት/ ሃገራዊ ዝኽረታት/ ብክበሮ ዝሳነ ዳዊት/ ጸናጽል/ ታሙላት/ ዕጣን/ድሙቕ ሕብሩ ልብሲ-ካህናት/ ኩታስ ኩሉ'ቲ ነእምሮ ናይዚ ህዝቢ ዝምስጥ-ዘደስትን ኣገባባት እንተዝሰረዝ፣ እዚም ሉዑም ካቶሊክ ዝበሃሉ ኣመንቲ፣ ዘይተርፍ ናብ እምነት ተዋህዶ ምተመልሱ።

ነፍስ-ወከፍ ሃይማኖታዊ ወገን፣ ዝያዳ-ሓለፋ'ኳ እንተተመነየ፣ በቲ ኣብ ሲቪላዊ-ሜዳ መንግስቲ ኢጣልያ ዝኸተሎ ተጻዋሪ ሚላ ሕጉሳት እዮም። ነዚ ኣብ እምነት-ሃይማኖታዊ ፕሮፓጋንዳ ዘሎ ሓርነት ግና፣ ኣብ ኣከለ ጉዛይ ዝነብሩ ካቶሊክ ኮኑ እስላም ብዙሕ ዝጥቀምሉ ዕድል ኣይኮነን። ናይ ከፈሻ ሚስዮን እውን ኣብዚ ወረዳ'ዚ እኹል ፕሮፓጋንዳ ገይሩ እዩ ኣይበሃልን።

ምስልምና፣ ብሰንከ'ቶም ብቀጻሊ ወራር-ዝረፋን ዝጽልኡ "ዓሳውርታ" ክየስፋሕፍሕ ተዓጊቱ እዩ። ሃይማኖት-ካቶሊክ ብወገኑ ክየስፋሕፍሕ ዝዓግቱ ረቛሒታት ድማ፣ ደቀ'ባት ሃይማኖት ምልዋጥ ብዙሕ ዘገድስና ጉዳይ ከም ዘይኮነ ኣጸቢቖም ስለ እተገንዘቡን፣ ብቶንዱ ድማ ናይ ፈረንሳ-ሚስዮናውያን ኣብ ልዕለና ዘለዎም ጽልኢ ስለ ዘስተውዓሉን እዩ።

ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ ናይ ኢጣልያ-ሚስዮናውያን እውን ምሳኣም ሓቢሮም ክሰርሑ ዝብል ትእዛዝ ብዝመጾም፡ ብፍላይ ኣብ ከረን እዮም ተወሲኖም። ኣብዚ ድማ ሃይማኖቶም ብዘይ-ልውጡ እሰላም ስለ እተኸበሩ፡ ሃይማኖት-ካቶሊክ ክየስፋሕፍሕ ብዙሕ እዩ ጸገሙ።

ናይ ኢጣልያ-ሚስዮናውያን ስለምንታይ ንእኹሩር ኣይተመደቡን ? ፈረንሳውያን ብመሰረቱ፡ ኢጣልያ ኣብቲ ሃገር ብዝጸንሖ ዝና ኩን/ ዝኸረ «እቡና ደ-ያኮቢስ» ተላዒሉ ከይዕብልሎም ድዩ ፍርሖም ? ወይሲ ብመሰረት ናይቲ ሃገርም ንዶባት«ውዕል-ውጫሌ» ጥሒሱ[8]፡ ንውሽጢ-መሬት/ኢትዮጵያ ካቶሊካዊ-ሃይማኖት ንምስፍሕፋሕ ምስ ንጉስ-ምኒሊክ ሓቢሩ እንጻርና-(ኢጣ-ልያ) ዝእልዋ ዘሎ ውዲታት እዩ መንቀሊ ነገሩ ? ናይ ውሽጢ'ሞ መን ይፍለጦ !!!

ኣብ ሞንጎ ካቶሊክ-ተዋህዶን ደቀ'ባት፡ ስኒት ኣይርከብን ጥራሕ ዘይኮነ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ኑቲ ካቶሊክ ደቀ'ባት ዘላዕልዎ ምስሕሓብ፡ ኢጣልያውያን ዜጋታት እዮም ዘሆድእዎን-ዝዓርቅዎን። ኣብ ሓድሕዶም መርዓ ኣይዝውተርን፡ ኣብ ዝፍጸመሉ ድማ እቲ ኣብ ተዋህዶ ዝኣምን ወገን እዩ ኣብ ናይ ካቶሊክ እምነት ዝኣቱ።

ናይ ፈረንሳ-ሚስዮን ከም ዘቕርቦ ጠለብ፡ መንግስቲ-ኢጣልያ ብዘለዎ መሳርሒታት ተጠቒሙ፡ መንፈስ ደቀ'ባት ብምጽላው ኣብ ካቶሊክ-ሃይማኖት ክኣምኑ ምስግዳድ ምተገብአ። እዚ'ውን ንናቱ ጥቕሚ።

ንእብነት ካብቲ ንባዕሉ ደጊያት-ባህታን/ካህናት-ተዋህዶን ሓራ ዘይኮንሉ ናይ ግብሪ ኣስገዳድ፡ ንደቀ'ባት ካህናት-ካቶሊክ ሕድገት ክግበረሎም ምደለየ። ከምኡ'ውን ኣብቲ ካቶሊክ ዝዕብልሉ ዓድታት፡ ዝነበረ ናይ ተዋህዶ ኣቢያተ-ክርስትያን ንዓኣም ክመሓላለፍን ወይ ድማ ፈሪሶም፡ ኢጣልያ ብዝጻወሮ ወጻኢታት ሓደስቲ ናይ ካቶሊክ-ህንጻታት ክንትከኣሎም ይሓቱ። ካብዚ ሓሊፎም ድማ፡ ሹም-ዓዲ፡ ካብ ካቶሊክ ብፍላይ ክምረጽ ዝብል ሓሳብ እውን የቕርቡ።

ካብዚም እተጠቕሱ ሓበሬታ ክንግንዘቦ ከም እንኽእል፡ ንኢጣልያ ዘወጸጽእ ሚላ፡ ንናይ ፈረንሳ-ሚስዮን ዕንቅፋት ከይፈጠርካ፡ ኣብ ዓቕሙ ክምርኮሶን- ከም ዘለዎ ምግዳፉን፡ እዩ'ቲ ዝሓሸ ፍታሕ።

እዞም ሰብ-ሚስዮን ምናልባት ናይ ኢጣልያ ዜጋ እንተዝኾኑ፡ ናትና ስነ-ሓሳብ/ቋንቋ/ጽልዋ/ ንምስፋሕ ዝድግፍ ፖሊቲካዊ-መሳርሒ እዩ ተባሂሉ፡ምትብባዑ ምተገብአ። ብዛዕባ እዞም ህልዋት ግና፡ጸረ-ጥቕምና ዘለዎም ምንቅስቓስ ርኡይ ክነሱ፡ ደገፍትና መሲሎም ክቐርቡ፡ ብሓደ ብእህ-ጉራዊ-ደረጃ ውሩይ ዝኾነ ሊቅ ኣቢሎም ንስፉሕ ሓፋሽ-ዓለም ከደናግሩ፡ ግዝኣት ኣከለ-ጉዛይ ብእኦም ከም እተፈቕደልና ይገልጹ። ብዛዕባ'ዚ እተባህለ ሊቅ ግና፡ ዝርከቡ ጽሑፋት ተበግሶን/ ቅንዕና እተሓሳሰባን/ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዘለዎ ናይ ውሉድ ፍቕርን፡ ሓንቲ ደቒቕ እኳ ተጠራ-ጢርና ኣይንፈልጥን።

***

ጽሙቕ ደምዳም።

ሃይማኖት-ጠቀስ ርእይቶታት ከምዚ'ሎም ካብ ቀረቡ እምበኣርከስ፡ ሓፋሽ-ደቀ'ባት ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዘለዎም ሓፈሻዊ-ኣምር ክግለጽ ዝከኣል እዩ።

እቲ(ዋላ'ውን ብግዳማዊ-መልክዕ) ኣማኒ ካልእ-ሃይማኖት ዝሓረዶ-ሕሩድ ዘይምብላዕ ዝብል ጽያፈ ንወገን ገዲፍካ(እዚ ጥቕሚ የብሉን ክበሃል ዝከኣል መምዘኒ፡ ሃይማኖታዊ ኣባልነት ስለ ዘንጽር፡ ካቶሊክ እውን የዘውትርዎ እዮም)፡ ኣብ ግዝኣትና፡ ብሕልፈ ድማ ኣብ መረብ/ምላሽ፡ ሰፊሕ ሓድ-ሕዳዊ ምጽውዋር ነጊሱ ይርከብ።

እዚ ድማ ካብ ድንቁርና እተበገሰ እዩ ካብ ዝብል ገምጋም ርሒቑ፡ ካብ ምዕቡል እተሓሳሰባን-ኣፍልጦ ሕግታት እተፈላለዩ ሃይማኖታትን ዝመጸ እዩ። እቲ ዘሎ ኣፍልጦ ድማ፡ ዓሚቑ'ኳ ክበሃል እንተዘይተኻእለ፡ ብስፍሓቱስ፡ እቶም ምዕቡላት ዝበሃሉ ህዝብታት ኤውሮጳ'ኳ ክርድእዎን-ክተግብርዎን ኣይምኸኣሉን።

ኣብዚ ዞባ'ዚ ዝዝውተሩ ሃይማኖት፡ ብዙሓት እዮም። ኣብ ሞንጎኦም ዘሎ ምስሕሓብ እውን ቀጻሊ። ስለዚ እውን ሰጋእ-መጋእ እናበልካ፡ መኸሰብ ዝርከቦ ሃይማኖት ምኽታል ባህርያዊ እዩ።

8- እዚ ርእይቶ'ዚ፡ ብ 1904 ዓ.ም. ትንቢታዊ ኩይኑ ተረኺቡ።

ከምዚ'ሎም ህዝቢ-ሓባብ ኣብቲ ብዘይካ ኣግማል ክትነብረሉ ዘይከኣል ዞባታት፣ እዞም ብክርስትያን ጽዩናት ዝበሃሉ እንስሳ እናራብሑ ክነብሩ ንግለት፣ ደፋእ እናበሉ ኣብ ምስልምና ኣመኑ።

ኣብ ከረን-መላእ ሰንሒትን ዝነብሩ ህዝብታት፣ ብድሕር-ወራር ግብጺ እዮም ሃይማኖት ለዊጦም። ኣቐዲሙ ግን፣ ብዘመን በዓል ሳፐቶ...ስተላ ወ.ዘ.ተ.፣ እዚ ህዝብ'ዚ ካብ ናይ ተጋሩ ዕብለላን/ ግብጺ ዝተባብዖ ወራራት ህዝቢ ባርካን ንምግልጋል/፣ ኣብ ሃይማኖት-ካቶሊክ እዩ ዝነበረ እምነቱ።

ከምዚ'ሉ እውን ሓደ-ክፍሊ ህዝቢ ኣከለ ጉዛይ ኩነ/ ህዝቢ ካልእ ወረዳታት መረብ/ምላሽ ካብ ትግራይ ንምፍላይ ብዝኣመተ ዕላማን- እቲ ነፍስ ወከፍ ሰባኻይ ከውሕሶ ዝበለ ደገፍ-መኸሰብን ንምርግጋጽ፣ ተዋህዶ ሃይማኖት ለቒቖም፣ ብሃይማኖታት ካቶሊክ-ከኒሻ-እስላም- ይትክእዎ ነበሩ።

ኩሉ'ዚ ለውጢ ግን፣ ግዳማዊ እዩ። ብሓፈሻኡ ብዛዕባ ሃሜናዊ-ሕግታት ድኣ ምጥርጣራት ይሃሉ እምበር፣ ደቀ-ሰብ ዘልብስዎ ስም- ኣገባብ ኣረዳድኣን ብዘየገድስ፣ ኣብ ሓደ-ኣምላኽ ዘሎ እምነት፣ መሰረቱ ኣይልውጥን። ስለ'ዚ እዮም'ውን ኩሎም ብዘይ ሃይማኖታዊ ኣፈላላይ ንቤት-መቕደሳትን/ ናይ ሃይማኖት ኣድግ/ ናይ ኣምላኽ ልኡኻትን/ ዓቢ ኣኽብሮት ዝግበሩሎም። ብሓቂስ፣ ናይ ልዕለ-ባህሪ ፍርሒ እውን ይሕወሶ እዩ።

እቶም ሎሚ ዳርጋ ብኩሎም መስሊሞም ዝርከቡ ህዝብታት ሓባብ-ብጅዩክ-ተዓቈ-ማርያ ዛጊት ናይ ክርስትና ኣሰራት ዓቂቦም ይርከቡ። ንኣብነት፣ መዓልታት-ሰንበት ኣኽቢሮም ስራሕ ኣይወፍሩን። ኣብቲ ቅድሚ መዓልቲ-ፋሲካ ዝውዕል ሰንበት፣ ቈጽሊ-ኣጕሳዓና (ሆሰዕና)፣ ኣብ ኢዶም ይኣስሩ። ኣብ ድንግል-ማርያም/ቅዱስ-ጊዮርጊስ ዘለዎም ኣኽብሮት፣ ከምኡ።

ነቲ ከም መንፈሳዊ-ነገር ንሶም'ውን ብዘየስተውዕልዎ ኣብ መዓሙቕ ልቦም ዝተረፈ ንስላሴ ተባሂሉ ዝውፈ ምስጢራዊ-መስዋእቲ፣ ንክብሪ እዚ'ውን መገሻ ብዝሓዙ፣ ኣብ ናይ ዕርፍቲ-ነቐጣታት ተኣኪቦም፣ ሕብስትታቶም ኣብ ሓደ ይእክቡ'ሞ፣ ልክዕ ብናይ ቅዱስ-ቁርባን ኣገባብ፣ ቆሪሶም ይካፈልዎ። ብዛዕባ መንፈስ-ቅዱስ፣ ስሙ ጥራሕ ዝዝክሩ ክነሶም፣ ነዊሕ ይዝትዩ። ከምኡ'ውን ንካልእ ተመሳሳሊ ነገራት።

ናይ ጥንቲ መናበሪ ቦታእምን-ናይ ሓባር መበቆልን ብምዝካር፣ ምስ ክርስትያን ህዝ-ብታት ክበሳ መውስቦ ኣይነጽጉን።

ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ብዛዕባ ኣገደስቲ እንዳታት መረብ/ምላሽ ኣብ ዝጠቕስናሉ፣ ነዚ መውስቦታት'ዚ ዝምልከት፣ ብፍሉይ ኣብነታት ተጠቒሱ ነይሩ። ከም ሳዕቤኑ እዮም'ውን ፍሉጣት መራሕቲ ደቀ'ባት መላእ ኤርትራ ንሓድሕዶም ዝዛመዱ። ኣብ ካልእ'ውን ድሮ ከም እተጠቕሰ፣ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መውስቦ እታ ጓል-ኣንስተይቲ እያ ኣብ ሃይማኖት በዓል እንዳእ 'ትኣቱ። ነዚ ዝደፋፍእ ድማ፣ እቲ ቅድም-ኩሉ ዝስራዕ ናይ ሓድነት ጽምእን/ ንኩሎም ስማውያን-ዓሌት ህዝብታት ኤርትራ ዝእስር ናይ ሓባር መበቆልን-ናይ ሓባር ጥቕምን ወትሩ ስለ ዝዝከር እዩ።

ኣብ'ዞም ብሰሜናዊ-ክፍሊ ፈለግ መረብ ዝርከቡ ህዝብታት "ንጀው-መረብ"፣ ከምዚ ዝኣመስሉ ኩነታት-ስምዒትን ገና ህያው ብምዃኑ እዮም ድማ፣ እቶም ብኸንየዋይ ገምገም-መረብ ዝነብሩ ህዝብታት(ኣብቲ ብሳሕቲ ዘጋጥም መውስቦ) ካብዚ ቦታ'ዚ ንዝእተውዋ ጓል-ኣንስተይቲ፣ ኣዝማድ ናይቲ መርዓዊ፣ እንደገና ንጥምቀት ዘገድድዋ። ዋላ'ውን ክርስትያን እንተኾኑት። ኣይተጠመቐትን ወይ ምስቲ እምነቶም ኣይቃዶን ብዝብል ፍርሒ እዮም ድማ ዳግማይ-ጥምቀት ክፍጽም ዝሓቱ።

ዓቢ ኣገዳስነት ሃልዶዎ ክጥቀስ ዝግባእ ካልእ ነገር ድማ -ብሕልፊ ከም ኣብ ሰራየ/ቦጎስ ዝኣመሰሉ ህዝብታት ዘጋጥም- ኣብ ሓደ ስድራ፣ እስላምን-ክርስትያን(ኣብ ቦጎስ ብፍላይ ክርስትያን ተዋህዶ-ካቶሊክን) ብዓቢ ስኒት ሓቢሮም ክነብሩ ምርኣዮም እዩ። ንምግዛበ-ሲጋ ዝምልከት ጉዳይ እዩ እቲ ፍልልይ ተዓቂቡ ተሪፉ።

እስላም ኩኑ ተዋህዶ፣ ዘይተብተኸ እንስሳ ከም ዘይምገቡ ተጠቒሱ እዩ።

እስላም እንስሳ ክሓርዱ ንመሬት ብዘውደቕዎ፡ ርእሱ ናብቲ ጸሎት ዘምርሕሉ ወገን «መካ» ኣቕኒዖም " ብስምኣሀ-ኣላህ ኣኽበር " ኢሎም ይሓርዱ። ከምዚ'ሉ ብእስላም ተባረኸ ዝቐርብ ስጋ ምምጋብ፡ ንእመንቲ ተዋህዶ ሓራም እዩ።

ተዋህዶ ብወገኖም፡ ካልእ ኣገባብ ይኽተሉ። ንሶም'ውን ነቲ እንስሳ ንመሬት ምስ ኣውደቑ፡ ርእሱ ንምብራቕ ገጾም (ናብቲ መንበረ-ታቦት እውን ዝኽተሉ ማእዝን) ኣመልኪቶም፡ "ብስመ ኣብ ወወልድ ወ መንፈስ ቅዱስ-ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን "[9] እናበሉ ሰለስተ-ጊዜ ነቲ ካራ ኣፍኪሶም ኣብ ጉሮሮ ናይቲ እንስሳ ምስ ኣሕለፉ፡ የኽስትንዎ። ከምዚ'ሉ እተሓርደ ስጋ እዩ ነቶም ካልኣት ምእመናን ጽያፍ ብምኽኑ ምብላዑ ዘይ-ከኣል።

እዚ ምክፍፋል እዚ እዩ ካብ ዘሎ ፍልልያት ዝደመቐ ኰይኑ፡ ክሳብ ዕለት ሎሚ መዕረቒ ዘይረኸበ።

****

[9]- ናይ መስቀል ምልክት ኣብ ዝገብርሉ እውን፡ ኣሃዱ ኣምላክ ብምባል፡ ክርስትያን ኣብ ሰለስተ ቅዱስ እንታይነት ሓደ-ኣምላኽ ከም ዘኣምኑን-ዘምልኹን ይሕብሩ።

III.

ማሕበራዊ ስነ-ሕጊ

ስሩዕ ኣገባብ ዝኸተል ናይ ኢትዮጵያ-ታሪኽ ዛጊት ኣይተጻሕፈን። እዚ ሰፊሕ-ኣገዳስን ሃገር፡ ካብ ናይ ክፍለ-ዘመናት ብሕትውናኡ ወጺኡ ኣብ ኣህጉራዊ-መነባብሮ ካብ ዝምለስ፡ ሓሊፉ ዘሎ እዋን፡ ብሓቂ ውሑድ እዩ።

ኣብ ሰለስተ-ሽሕ ዓመት ዝኣክል ብህዝብታቱ እተኻየዱ ፍጻሜታት፡ ብቀጻሊ-እተወሃሃደ ኣገባብን ክግለጽ ምስ ዝድለ፡ ክሰገሩ ዝግባኦም ማሕለኻታት ማእለያ ኣይምተረኽበምን።

እቲ ዛንታ፡ ብናይ ቃል-ባህሊ ስለ ዝመሓላለፍን/ ብቑዓት መዛክራት ኣብ ጽሑፍ ስለ ዘይሰፈሩን/ ኣድማዕቲ ክነሶም ግንከ ውሑዳም ብዝቐርቡ ሓወልቲ-ምስልታትን፡ ዝኾነ ነዚ ታሪኽ'ዚ ክጠምር ዝብገስ ሰብ፡ ክብደት ናይዚ ዕዮ እንታይ ዝዘለ ምኻኑ ኣይዝንግዖን።

ኢትዮጵያ ብመላኡ ወይ እተን ነዚ ሃገር'ዚ ዘቕሙ ኣውራጃታት በብውልቀን፡ ኣብ መጻኢ ሓፈሻዊ ፖሊቲካዊ-ፍጻሜታት ዓቢ ተራ ክህልዎም ስለ ዝኽእል፡ ኩሎም'ቶም ኣብዚ ክዋስኡ ዝደልዩ ወገናት፡ ንህልዊ ዝሕብር- መጻኢ ዝሰርዕ- ሕሉፍ ታሪኽ ናይዚ ሃገር'ዚ ክመልኩ ግድንት እዩ።

ብመዓልቱ ከኣ፡ እዚ ታሪኽ'ዚ ብልክዑ ከም ዝጸሓፍ ኣየጠራጥርን።

ምእንት'ዚ'ውን እታ ንኤርትራ ዝኢላ እትርከብ ኢጣልያ ነዚ ግዝኣት'ዚ ብስርዓት ክተመሓድሮ እንተድኣ ኰይኑ እቲ ዕላማ፡ ታሪኽ ናይዚ ሃገር'ዚ ብዓሚቑ ምፍላጥ የድሊ። እዚ ድማ ንውሽጣዊ-ምምሕዳር ኰነ/ኣብቲ ንመጻኢ ምስ ኢትዮጵያን-ዓለምለኸ ዝህሉ ዝምድናን ብግቡእ ንምእላይ ዝድግፍ እዩ። ብሕልፊ ግና፡ ውሽጣዊ(ናይ ኤርትራ) ጉዳያት ንዝምልከት፡ ነቲ ብሓበን-ትጽቢት ደቀ'ባትን እተቐበልናዮ እምነት ንምርግጋጽ፡ ረብሓእምን-ረብሓናን ምሕላው ከድሊ እዩ።

ንኣብነት ናብዚ ዕላማ'ዚ ዝኣመተ፡ ጸቢብን/ ኣብ ናይ ምምሕዳር ኣገባብ ዝውሰን ግብራዊ ኣተራጉማን-ኣመጻጽኣን *ማሕበራዊ ሕገ-ስርዓት ኢትዮጵያ* ምፍላጥ፡ ዘይስገር ቅድመ-ኩነት እዩ።

መሰረት ናይዚ ሕገ-ስርዓትን/ኣመዓባብላኡን፡ ብግቡእ ምፍላጥ ስለ ዘይከኣል ድማ፡ ብሃሰስ ካብ ታሪኹ እዩ ዝስራዕ። ኣብዚ'ውን ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፡ ጭቡጥ ታሪኽ ብዘይምህላው(ብዛዕባ ክብረ-ሓቅነቱ ዝህሉ ምጥርጣር ንወገን ገዲፍካ)፡ ኣብቲ ዝፍ-ለጥን/እተረጋገጸን ኢትዮጵያዊ-ፍጻሜታት(-ማለት ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓባርን-ብኣወንታን ዝምልሽዎም ፍጻሜታትን/ዘቕርብዎም ሓበረታን-)ምምርኳስ ግድንት ከኸ-ውን እዩ።

ናይ ቅዋም ስነ-ሕጊ። ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ክንክተል እንተድኣ ኰይኑ 'ከስ፡ እቲ ኣብ መፋርቕ ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ህላዌኡ ዘብቅዐ ፖንታዊ-ስርዐ፡ ሓቅነት መበቆሉ ብዘየገድስ፡ ብመሰረት ናይቲ እተፈልጠሉ "ቅዱስ-ባህሪ" እዩ ልኡላውነቱ ኣብ ግብሪ ክተርጉም ጸኒሑ።

ዝኽረታት ኰኑ-ዝና-ብኣፍ ዝመሓላለፍ ባህሊ ከም ዝገልጽዎ ድማ፡ እዚ ልኡላውነት'ዚ ኣብቲ ድሮ ብ ህዝብታት«ኣግኣዚ» ብጻዕቂ ተሃዚቡ ዝጸንሐ ትግራይ/ ምድረ-ባሕርን ብዘይ ምስሕሓብ እዩ ተተግቢሩ።

እሲያዊ(ናይ እሲያ)ነገዶም ኣግኣዚ፡ ምስ ህዝቢ-እስራኤል ዝእሰሮም ዝምድና ብምእማን (እቲ ስርዐ እውን ከይተረፈ)፡ ምስቶም ኣሳጊሞም ዝመጹ ኣባላት 12 ነገድ-እስራኤል ተሓናፊጾን/ ልዕል ኩሉ ድማ ሕግታት-ሙሴ ተቐበሉን።

ብደቡባዊ ወገን ፈለግ-ተከዘ ግን፡ ከምቲ ድሮ ኣብ ካልእ-ክፍሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ እተባህለ፡ እዚ ጥንታዊ-ስርወ ኣብ ልዕል'ቶም እተፈለየ ዓሌት ዘለዎም ህዝብታት ልኡላውነቱ ከረጋግጽ ዝኸኣለሉ፡ ብረጽሚ-ቀጻሊ ቃልስታት-ውግኣት-ተቓውሞን እዩ።

እዚ ኣምር'ዚ ተኸቲልካ እምበኣርከስ፡ ኣገባብ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ፡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ ክበሃል ምተኻእለ፥

1)-እቲ ስርወ፡ ብናይ ትውልዲ-መስል እዩ ዝነበረ ንግስነቱ። መሰረቲኡ ድማ፡ እቲ ከም ቀዳማይ-ምኒሊክ ዝፍለጥ ወድ-ሰሎሞን ካብ ንጉሳዊ ነገደ-ይሁዳ ማለት ካብቲ ስዒቡ መድሃኔ-ዓለም ዝውለደሉ ነገድ እዩ።

2)-ኣብ ልዕል'ቶም«ግእዝ»ዝዓሌቶም ዓድታት ትግራይ/ ምድረ-ባሕርን ዝህልዎ ስልጣን፡ብሰላምን-ኣብ ነጻ ህዝባዊ ተቐባልነት እተመርኰሰ ከኸውን እንከሎ፡ ኣብቶም ብደቡብ ተከዘ ዝርከቡ ህዝብታት፡ እዚ መሰል'ዚ፡ ብእስገዳድ-ወራርን እዩ ተረጋጊጹ።

ኣገባብ ኣቃውማ " ሰሎሞናዊ-ስርወ " ተመልኪትካ እምበኣርከስ፡ ኣብ ሰሜናዊ-ክፍልታት ዝህሉ ስርዓተ-ሕጊ፡ ሓባታዊ ከኸውን እንከሎ፡ ኣብ ደቡባዊ-ክፍሊ ናይቲ ፈለግ-ተከዘ ዘንጽሮ መስመር ዝህሉ ህዝባዊ-ስርዓት፡ መስፍናዊ እዩ ዝነበረ።

ኣሰራት ናይዚ ክልተ ንጹር ዝኾነ ፍልልይ ህዝባዊ ስነ-ሕጊ፡ ብድሕር ነዊሕ ክፍለ-ዘመናት እውን እንተኾነ፡ ደሚቑ ይረአ። ብሕልፊ ድማ ነቶም ኣብ ጠረፍ-ደቡብን/ ጠረፍ-ሰሜን/ ናይ ዝርከቡ ኣውራጃታት ዘሎ ዞብኣዊ-ምምሕዳር ምንጽጻር ምስ ዝግበረሎም፡ ክሳብ ናይ'ቶም «ስዩመ-እግዚኣብሄር» ዝበሃሉ ነገስታት ዘሎ መዋእል ዝጸንሐ ልምዲ ተመልኪትካ፡ ብዘይምጥርጣር፡ ሳልሳይ-ኣገባብ መምርሒ እውን ክውሰን ምተኻእለ። ማለት፥

3)-ንጉሳዊ-ስልጣን፡ ብውርሻን-ምርጫን እዩ ዝመሓላለፍ ዝነበረ።

ብውርሻ ማለት፡ እቲ ዝሰየም ንጉስ፡ ካብ ተባዕትዮ-መሳፍንቲ ናይቲ ሃጸያዊ-ስድራ እዩ ዝምረጽ። እዚ ግን፡ ጥዑይ ኣእምሮን- ኣካሉ ዘይጉደለን- ንንግስነት ዝበቅዕ ሞራል፡ ክህልዎ ይግባእ።

ምክትታል ስርዓት-ውርሻ ኣብ ውሽጥ'ቲ ስድራ-ቤት ግና፡ መስመር ክልውጥ ይኽእል እዩ። በዚ እውን እቲ ስልጣን ናይ ምርጫ ይኸውን።

ዝምረጽ ሓድሽ-ንጉስ ብ«ማሕበር-ሽማግለታት»እዩ ዝምረጽ-ዝእወጅን። ነዚ ውሳነ'ዚ ድማ፡ ይግባይ ኣይበሃሎን።

ብጥንቲ፡ እዞም «ሽማግለ» ዝበሃሉ መረጽቲ-ኣካል መን ምዃኖም ኣይፍለጥን። ኣባታዊ ሕግን-ልምዲ ሰማውያን ህዝብታት ተኸቲልካ ግን፡ መራሕቲ ኣባታዊ-እንዳታት እዮም ዝነበሩ ክበሃል ምተኻእለ። ኣብ ዝሰዓበ እዋናት ድማ፡ ኣብቲ ደፋእ እናበለ እተሰረተ ሃጸያዊ ናይ ኢትዮጵያ ምትእስሳር፡ እቲ መራጺ-ኣካል(ማለት እቲ ንጉሰ-ነገስት ዝብል መዓርግ ዘልብስ)፡ ብመራሕቲ ናይቶም ባዕለ-ምሕዳራት ንግስነታትን/ ዓድታትን/ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን ናይቲ ንግስነትን/ እዩ ዝቖውም ነይሩ።

መራሕቲ-ኣባላት ናይቶም ባዕለ-ምሕዳራት ዝበሃሉ ንግስነታት/ዓድታትን ክበሃል እንከሎ፥

ባሕረ-ነጋሲ፡ ኣመሓዳሪ ኣውራጃታት ባሕሪ -

ትግረ-መኰንን፡ መስፍን ትግራይ -

ዋግ-ሹም፡ መስፍን-ላስታ(ኣባል ናይቲ ብፍታው፡ ንግስነት ነቲ ሕጋዊ ዝበሃል ስርወ ዘመሓላለፈ ስርወ-ዛጔ እዩ) -

መርእድ-ኣዝማች፡ መስፍን ሽዋ -

ራእሲታት ጎጃም/ ወሎ-ጋላ -

ነዚኦም ድማ ከከም ጊዜ ኩነታትን፡ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን ናይቲ ንግስነት ተባሂሎም፡ እዞም ዝስዕቡ ሹማምንቲ እውን ይኸተልዎም፥

ኣቡና፡ ከም መንፈሳዊ-መራሒ -

እጨጌ፡ ቀዋሚ መራሒ ቤተ-ክህነት ኢትዮጵያ -

ነብር-እድ፡ ተቐጻጻሪ ቤት-መቕደስን፡ ኣመሓዳሪ ናይታ ብሃይማኖት-ፖሊቲካን ርእሰ-ከተማ ናይቲ ንግስነት ዝነበረት ከተማ ኣኽሱም -

ሊቀ-ሞቆስ፡ ልኡል-ፈራዲ -

ራእሲ-ቢትወደድ፡ ናይ ማምቢ ሓላፍን- ኣመሓዳሪ ከተማ ጐንደር -

ምስለኔ፡ ናይቲ ሃጸይ ልኡኽ ወይ ቀዳማይ-ሚኒስተር፡ ካልኦትን እዮም ዝነበሩ።

ብዘይካ'ቲ ምርጫ ድማ፡ ንጉሳዊ-ስልጣን ብሕጊ ንምትግባር እቲ ሃጸይ ብቅብኣት «ቅዱስ-ሜሮን» ክቕባእ ይግባእ። እቲ ቅብኣት ብፍላይ፡ ኣብ ጥንታዊ ቤት-መቕደስ ኣኽሱም እዩ ዝፍጸም ዝነበረ። ኣብ መሰረት ናይዚ ጥንታዊ-ህንጻ ቤት መቕደስ፡ ቦታኡ ኣብ ዘይፍለጥ(ብመሰረት ናይቲ ጥንታዊ-ዝና) እዩ እቲ ቀዳማይ-ምኒሊክ ንኢትዮጵያ ሒዝዎ ዝመጸ «መጽሓፍ-ሕግታት» ተደቢቑ ዝርከብ ይብሃል።

ቅብኣት፡ ብዓቢ ኑፍሕታት/ናይ ብዓል ኣገባብን፡ ብ " ኣቡና " እዩ ዝፈጸም ዝነበረ።

ብሩስ(ጀይምስ-ብሩስ)፡ ነዚ ኣገባብ'ዚ ብደቂቑ ክገልጾ እንከሎ፡ ምናልባት ኑቲ ጥንታዊ እዋናት ዘየኸኸር፡ ህዝባዊ ተቐባልነት ከም ዝነበሮ ዝሕብሩ ኣገባባት እውን ይፍጸሙ እዮም ይብል።

ብድሕር ቅብኣት፡ እቲ ንጉስ ሃጸይ ወይ ግርማዊ ዝብል መዓርግ ክለብስ እንከሎ፡ እታ ንግስቲ እተጊ ትብሃል።

ክሳብ ዕለት ሎሚ እቲ ቅብኣት ይፍጸመሉ ዝነበረ ጸፊሒ እምኒ ኣርባዕተ-ኩርናዕ፡ ኣብ ጥቓ'ቲ ቤት-መቕደስ ዝርከበሉ ንኡስ-ኣደባባይ ቆይሙ ይርከብ። እቶም ኣብ ነፍሰ-ወከፍ ኩርናዕ እተሰረቱ ኣዕኑድ-ዓረ እውን፡ ክምኡይሎም ተረፎም ይረኣዩ።

እቲ ዝነበረ ኣገባብ፡ ኑቲ ኣብ ማእከላይ-መዋእል ኤውሮጳ " ቅዱስ " ዝበሃል ዝነበረ ኣገባብ ኣሰያይማ ናይ «ሮማ-ሃጸያት» ይመስል። ክልቲኦም ንግስነት፡ ብክልሰ-ሓሳብ እኳ ኑቲ ሃጸያዊ-ስልጣን ከም ማሕበራዊ ድልየት ናይቲ ህዝቢ ይፈልጥዎ እንተነበሩ፡ ኣብ ግብርስ፡ እቶም ነዚ ንግስነት'ዚ ዘቕሙ ኣውራጃታት/ መንግስታት/ ግዝኣታት/ ካብቲ ምስ ማእከላይ-ስልጣን ዝኣሰሮም ቀይድታት፡ ነጻ ኰይናም እዮም ዝነብሩ ነይሮም።

ወረ'ውን ኣንጻሩ፡ ብብረት ከይተረፈ ዝለዓልሉ እዋናት ይዝከሩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ኣብ ኢትዮጵያ ብ 17 ክፍለ-ዘመን ማለት ኣብ እዋናት ምቕሃም ናይቲ ስርወ ተጋሂዱ እዩ።

ኣምር ሃጸያዊ-ስልጣን ኰነ/ ግብራዊ ኣተረጓጉማኡ/ ዝሀልዎ መዝነትን ንዝምልከት ድማ ብዘይካ'ቶም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ኣገባባት፡ እዞም ዝስዕቡ እውን ከም ተወሳኺ ይቐርቡ፥

4)- ብሕታውን/ ማሕበራውን ንብረት-ሃገር ዝጥርንፍ ኣካል፡ እቲ ሃጸይ እዩ።ኣቦ ናይቶም ግዙኣት ብሓባር ስለ ዝበሃል ድማ፡ ኣብ መሰል ዋንነት-መሬት ዘየካትዕ ቀዳምነት ይህልዎ።

5)- ሃገር ካብ ባዕዳውያን-ጸላእቲ ምክልኻል/ውሽጣዊ-ስርዓት ምርግጋጽ/ ሕጊ ምምሕዳርን፡ ኑቲ ሃጸይ ዝውሰኑ መዝነት እዮም።

6)- ነዚ ተልእኮታት'ዚ ምፍጻም፡ ኣብ ዝኸኑ ይኹን ጽፍሒ ዝርከቡ ሹማምንቲ፡ ሃጸይ እዩ ጠቕላሊኦም። እዚኦም ድማ ብውርሻ ይኹን ብምርጫ ናይ ኣመራርጸኦም ኣገባብ ብዘየገድስ፡ ስልጣኖም ዝፈቕዶ ሓላፍነት ኣብ ግብሪ ንምትርጓም፡ በቲ ሃጸይ ክሰየሙን-ክፍለጡን ይግባእ።

7)- ግብረ-መሬት/ ኢታውን-ሰደድን ንዝምልከት ናይ ቀረጽ-ግቡእ/ ንእተፈቕዱ ሽመት ዘሰንዩ ህያባት/ ሽመትን-ሞሳኦምን(መጎስ)/ ንፍሉይ ኢጋጣምታት ዝውሰኑ ህያባት/፡ ሓላፍነት ናይቲ ሃጸይ እዩም።

8)-ምምሕዳር-ሕጊ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጽፍሒ፥ ነጻ ዘይከፈሎን እዩ። ፍርዲ ብቃል ይውሰን። ህዝባዊ-ተሳትፎ ድማ ይፍቀድ።

9)-መሰረት ሕጊ-ኢትዮጵያ ብጽሑፍ፥ እቲ ኣብ ፍትሓ-ነገስት ሰፊሩ ዝርከብ ዓንቀጻት እዩ።

ሃጸይ ዝህልዎ መሰላት ዘንጸር/ግዙኣት ናይቲ ዝመሓደር ህዝቢ ዝቕይድ/ ማሕበራውን-እንዳውን ስርዓት ዝሰርዕ/ ብሕታውን-ማሕበራውን ዋንነት ዝከፍል/ ኣገባብ ፍርዲ-መቕጻዕቲ ዝናትን፥ ዝውስኑ ሕግታት ኣብ ፍትሓ-ነገስት ተጻሒፎም ይርከቡ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ 51 ምዕራፋት የጠቓልል። ካብዚኦም ድማ፥ እቶም ናይ መጀመርያ 22 ምዕራፋት ን«ሕገ-መሬት» ይምልከቱ። እቶም ዝስዕቡ 20 ምዕራፋት፥ ን«ሕገ-መነባብሮ»(ቺቪለ) ዝሰርዑ ክኾኑ እንከለው ድማ፥ ዝተረፉ ን«ሕገ-ዝናት»(ፒናለ) ይቕይዱ።

እዚ ንሕብረተ-ሰብ ኢትዮጵያ ክመሓድር እተገብረ ዓንደ-ሕጊ ፡ ንሕገ-መሬት/ቅዋማት ምምሕዳር/ዝናት/መነባብሮ/ ዘጠቓልል ትእዛዛት ዘስፈረ ዶኩመንቶ፥ ብ ግእዝ እዩ ተጻሒፉ።

ኣብ 6ይ ክፍለ-ዘመን ናይ ዘለናዮ መዋእል እተጻሕፈ ሰነድ ብምዃኑ ድማ፥ ኣብዚ ብመጠኑ ዳሕረዋይ ክበሃል ዝኽእል እዋናት ዝኣተወ እዩ።

"ፍትሓ-ነገስት" ዝህልዎ ስልጣን፥ ንባዕሉ ኣከራኻሪ ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ ድማ፥ ኣብቲ ዘመን'ቲ ናይ ዝነበረት ኢትዮጵያ ሓቀኛ ሕጋዊ-ኩነታት ዘንጸባርቕ ጽሑፍ ድዩ? (*ምስ ዝኸውንከ፥ ንኩሎም ሃገራት ናይቲ ንግስነት ዶ/ንሓደ-ክፋሎም እዩ ዝምልከት ዝነበረ? ንሓደ-ክፋሎም ምስ ዝኸውንከ፥ እቶም በዚ ሕግ'ዚ ዝቕየዱ ዝነበሩ ሃገራት፥ በዓል መን እዮም ?)* ወይሲ ኑቲ እቕዲሙ ዝጸንሐ ሕጋዊ ኣገባባት፥ መብዛሕትእም ሓደስቲ ብዝኾኑ መትከላት-ዓንቀጻትን ንምትካእ እዩ ተኣታትዩ ?

ዝኣመሰሉ ሕቶታት ግድነት ዝገብርዎ፥ ፍትሓ-ነገስት ኣብ «ሕገ-ሮማውያን» ዝርከቡ ዓንቀጻት-መትከላትን እውን እተሓወሰ ኣብ ሃገር-ዓረብ ብዝነበረ ኢጣልያዊ-ካህን እተጻሕፈ ብምዃኑ እዩ።

ብዝኾነ እውን፥ ፍትሓ-ነገስት ኣብ መላእ'ቲ ንግስነት ድዩ ተኣዊጁ ዝነበረ ?/ ኣብ ክመይ ዝበለ ስርዓትከ ተተግቢሩ ?/ ንክንደይ እዋንከ ኣገልጊሉ ?/ዝኣመሰሉ ሕቶታት እውን መልሲ ምተገብእም።

በቲ ዝጠዓመ ኩነቱ ምስ ዝግመት ድማ፥ ከም ኣብነት/ክልሰ-ሓሳብን ተባሂሉ እተጻሕፈ ድኣ'ምበር፥ ግብራውነት ከም ዘይነበሮ ምእማንሲ ኣየሸግርን። ኩዶኑ ተረፉ ከኣ፥ ምናልባት ኣብቲ ክብድ ዝበሉ ነገራት ንምድናይ ንጉስ ባዕሉ ብሊቃውንትን-ሊቀ ሞቆስ ኣተርጕምቲ-ሕግን ተዓጂቡ ይመርሖ ኣብ ዝነበረ ልኡላዊ ቤት-ፍርዲ እዩ ፍላይ፥ ኣብ ግብሪ ተተርጕሙ።

ካብዚ እተፈለየ ክኸውን ኣይክእልን ዝበሃለሉ ምኽንያት ድማ፥ እቲ ኣብ ብዙሕ ኢጋማ-ምታት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ እተጠቕሰ ዘይዕረቕ ፍልልያት-ነገድ/ቋንቋ/ሃይማኖት/ጥቕም-ታትን ናይቶም ነዚ ንግስነት'ዚ ዘቕሙ ህዝብታት፥ ከምኡዶሉ ከይተፈትሐ ምትራፉ፥ ንባዕሉ እኹል መረዳእታ እዩ።

መንግስታዊ-ኣካላት

እተጠቕሰ ንግስነት፥ ዋላ'ውን ኣብቲ ዝበለጸ ናይ ዕብየት-ብልጽግናን ደረጃ ዝበጽሓሉ እዋናት፥ ኣብ ክንዲ እተወሃሃደን-እተኣሳሰረን ምልኣት ዝህልዎ(ዋላ'ውን ኣብ ፖሊቲካዊ-መዳይ ብንእሱ)፥ ብናይ ገዛእ-ርእሶም ስርዓተ ሕጊ ናይ ዝመሓደሩ መንግስታትን/ህዝብን «ፈደራላዊ-ምትእስሳር» ይመስል። ዋላ'ውን ንልኡላዊ-መዓርግ/ክብርን ናይቲ ሃጸይ እንተኣመኑ።

እዞም ብሓፈሻኡ ስርዓት ናይቲ ንግስነት ዘንጽሩ ኣምራት፥ ኣብ ኩሎም'ቶም ነዚ ንግስነት'ዚ ዘቕሙ ሃገራት'ውን፥ ብመንጸሩ ይመሳሰሉ እዮም። ኣብ ነፍሰ-ወከፎም ዝርከብ መራሒ ድማ፥ ብግብሪ ኑቲ ሃጸያዊ-እወራረስ ብዝመስል ኣገባብ፥ ብውርሻ እዩ ስልጣኑ ዝፍለጠሉ። ንሱ እዩ'ውን ካብ ደረጃ እመሓደርቲ ወረዳ/ጉልቲ እትሒዙ

ክሳብ'ቲ «ዓዲ» ወይ «አሃዱ» ዝበሃል መባእታ ሕ/ሰብ ኢትዮጵያ፣ ንኡስ-ኣመሓዳሪ ናይ ጠቕላሊ "ሲቪላዊ-ጽፍሕታት" ዝኾውን።

ሲቪላዊ ጽፍሕታት።

እዚ "ሲቪላዊ" ዝበሃል ዘሎ ጽፍሕታት፣ ንመረዳእታ ተባሂሉ ዝቐረበ'ምበር፣ ብሓቂስ፣ እቶም መራሕቲ ጽፍሕታቶም ብዘየገድስ፣ ከከም አገዳስነት ናይቲ ዘመሓድርዎ መሬት፣ ፖሊቲካዊ/ ምምሕዳር/ ወታሃደራዊ/ ሕጊ/ ዝምልከት ስልጣን ኩሉ፣ ኣብኢቶም እዩ ዝጥርንፍ-ዝጠቓለልን ዝነበረ። እዚ ግን፣ ኣብ ዝስዕቡ ምዕራፋት ዝሰፍሕ ኣርእስቲ እዩ።

ብሆንኪ እተባህለ ኢጣልያዊ-ደራሲ፣ ኣብቲ «ምድረ-ጋላ» ዘርእስቱ ጽሑፉ፣ ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ ኣብ ዝጠቕሰሉ፣ ከም ድርሰቱ ገይረ ከቕርቦ እየ። እዚ ብኣኡ እተፈጸመ መጽናዕቲ፣ መተካእታ ኣይርከቦን።

ኩተሓሳስቦ ዝደሊ ነገር ግና፣ እቲ ንሱ ዘብርሆ ነጥብታት፣ ብወገን ደቡባዊ-ክፍልታት ኢትዮጵያ ኩይኑ እተዓዘቦ ነገራት ከም ዝኾነ ምርዳእ የድሊ። ስለ'ዚ እውን ኣብ ደቂቕቱ፣ ካብ'ቲ ብሰሜናዊ-ክፍልታት ኩይንካ እትግንዘቦ ጉዳያት፣ ፍልይ ዝበለ ይኸውን።

ጥንቂቕ ኣንባቢ ግና ነዚ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ዝቐርብ ሓፈሻዊ-መብርሂ፣ ምስቲ ብዛዕባ መረብ/ምላሽ ቀጺሉ ዝወሃብ ደቂቕ መጽናዕቲ ዝህሉ ፍልልይ፣ ከመሓይሾን-ክሰርዖን ዝክኣል እዩ።

እቲ ጽሑፍ እንሆ፥

> «.....ነፍስ-ወከፍ ንግስነት፣ ኣብ ወረዳ/ክፍልን ይኽፈል። እቲ ክፍልታት፣ ሲቪላውን-ወታሃደራውን ምስ ዝኾውን፣ እቶም መራሕቲ፥ ራእሲ-ደጅ-ኣዝማች-ዓበይቲ ሹማምንቲ-ይበሃሉ። እቶም ክፍልታት ግን ናይ ቤተ-ክህነት ወይ ንክህናት እተወፈዩ ዓድታት ምስ ዝኾኑ፣ እቶም ኣመሓደርቲ፥ መምህር-ካህን ይበሃሉ።
>
> ክፍሊ ክበሃል እንክሎ፣ ብከተማታት-ቁሸታት ክባቢኡምን ዝቆመ ክፍለ-ወገን ሕ/ሰብ ማለት እዩ። ነፍስ-ወከፍ ከተማ ወይ ቁሸት ድማ ናይ ባዕሉ «ሹም»ይህልዎ። ሹማምንቲ፣ ዓበይቲ-ንኡሳን/ርኹባት-ስኡናትን ተባሂሎም ይኽፈሉ። ብዝኾነ ግና ኣብቲ ብኣእም ዝመሓደር ቁሸት ዓቢ ኣኽብሮት ይግበረሎም።
>
> ራእስታት-ንጉስን ኣብ ዝርከብሉ ቦታ(ኣብ ግምቢ)፣መዝነት ናይዚ «ሹም» እተባህለ ሓላፊ፣ ብትሕቲ መኳንንቲ እዩ። ካብቶም ተራ- ኣገልገልቲ ድማ ቅሩብ ክብ ይብል።
>
> ካብ ግምቢ ወጻኢ ግን ኣብ ቁሸታቶም፣ ዝበርትን-ሓደግትን እዮም። ኩሉ ድማ ብኣእም ይውሰን። ሹም ማለት፣ ኩሉ እዩ፥ ክንቲባ/ኣኽባሪ-ሕጊ/ ተቖጻጻሪ-ግብሪ/ ጸጥታ/ ፍርዲ/ ተሓዝ-ገንዘብ/መራሕ-ሰራዊት/ዝኣመሰሉ ስልጣን፣ ባዕሉ ይጥቕልሎም።
>
> መንግስትን-ምምሕዳርን ዓድ-ሓበሻ ብግቡእ ንምርዳእ፣ እዚ "ሹም" ዝለብሶ መዝነት ንባዕሉ እኹል መምዘኒ እዩ....»።

ቀጺሉ ድማ ከምዚ ይብል፥

> «...መንግስቲ ዓድ-ሓበሻ፣ መላኺ-መንግስቲ እዩ። ዓድታት-ሹማምንትን ብስርዓት ምቁጽጻር ዝኽኣለ ንጉስ ዝህልዎ መዝነት፣ ልዕል'ቲ ንሕና እንግምቶ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት እዩ ስልጣኑ። ብኣንጻሩ ድማ፣ መራሒ ወይ ንጉስ ኣብ ልዕል-ሹማምንቱ ክሕዞ ዝግባእ ቁፀንቶ-ሕዛብ ምስ ዘዝልቕ፣ ዓድ-ሓበሻ ናብ ፋሉልነት የምርሕ። እቲ ንጉስ/ራእሲ ዝብል ሽመት ክንቱ ኩይኑ ይተርፍ ማለት እዩ።
>
> ኣብ ከምዚእም ዝኣመሰሉ ንሓርነት ዘይተዳለው ህዝብታት ድማ፣ ፋሉልነት ማለት፥ሽፍትነት/ምብራስ ንግድ...ንብረት..ድህሰሳ..መንስ..ሕርሻ የኸትል።

> ሹም፡ መንግስቲ ምኳኑ እዩ። መንግስቲ ድማ ናይ ንጉስ ዝበሃል፡ እቲ ንጉስ ባዕሉ፡ ሹም ናይ ሹማምንቲ ክኸውን ምስ ዝበቅዕ ጥራሕ እዩ።..»

መራሕቲ ናይተን ከም ኣምሓራ/ ትግራይ/ ጎጃም/ ሸዋ/ ዝኣመሰላ ዓበይቲ ዝበሃላ ታሪኻውያን ኣውራጃታት ዓድ-ሓበሻ፡ ካብ ክፍለ-ዘመናት ኣትሒዞም እተፈላለየ ሽመት እኳ እንተለበሱ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ራእሲ ወይ ንጉስ እዮም ዝበሃሉ ነይሮም።

ልኡል መስፍን-ላስታ፡ ካብቲ ስርወኡ ዝፋን ዝለቐቐሉ እዋናት ኣትሒዙ፡ ወትሩ *ዋግ-ሹም* ዝብል መጸዋዕታ እዩ ዓቲቡ። «ዋግ» ማለት፡ ብዓሊት ኣገው(ዓሊት ናይታ እሳት ወይ ዮዲት እተባህለት ንግስቲ) እተሃዘበ ናይ "ላስታ" ፍሉይ ከባቢ እዩ።

ኣብ እተፈላለዩ ኢጋጣምታት፡ ንመራሕቲ-ወረዳ/ጉልታትን ዝወሃብ ዝነበረ ሽመት ማእለያ ኣይርከቦን።

ኣብ ምድረ-ባሕሪ ንኣብነት፥ *ክንቲባይ*(ትርጉም-መበቆልን ናይ'ዚ ቃል'ዚ ምፍላጡ ኣይከኣልኩን) -*ኣይተ*(ኣይቶ-ኣቶ) ይበሃሉ ነይሮም።

መራሒ-እንደርታ፥ *በዓል ገዳ*(ጉይታ በዓል-ዕድል) ይበሃል።

ኣብ ኣምሓራ፡ *ሸን-ጠረር*....ወ.ዘ.ተ. እዮም ዝበሃሉ ነይሮም። ፍቕዶም ግና ንውሕ ዝበለ ብምዃኑ ምዝርዛሩ ኣየድልን።

መራሕቲ-ዓዲ ዝወሃቦም ወግዓዊ-ሽመት፡ ካብ "*ሸመ*" ወይ "*መረጸ*" ዝብል ቃል ዝመጸ ኮይኑ፡ «ሹም-ዓዲ» ይበሃሉ። ትርጉሙ ድማ ዓዲ ዝሸሞም ማለት እዩ። ብሕሱር ኣገባብ ግን፡ «ጭቃ» እውን ይበሃሉ።

ገለን ከም ዝኣምንዎ፡ እዚ ንንዕቀት እተዋህቦም መጸዋዕታ፡ ኣብቲ ፋሉላዊ-እዋናት እተጋህዱ ወታሃደራዊ-ዳንኬራታት፡ እዞም ህዱኣት-ሰላማውያን መራሕቲ-ዞባ እዮም እቲ ንኮናት ተባሂሉ ዝሕተት «ፈሰስ» ብከቢድ ምፍርራሕ ዝሕተትሉ ነይሮም።

ካልኦት ከም ዝኣምንዎ ድማ፡ እዚ ኣኽብሮት ዝመልእ እጸዋውዓ፡ ኑቲ ቀዳማይ-ዋናን ተልእኮኦም ማለት ንህዝቢ ናይ'ቶም ዘመሓድርዎም ሃገራት፡ ስኒት ንምርግጋጽ ዘመልከት እዩ ይብሉ።

ከምቲ ኣብ ሃገርና(ኢጣልያ) ብቸመንቶ(ሰሚንቶ)ጠሚርና፡ እምነ-ሑጻ ኣወሃሂድና ኣባይቲ እንሃንጸሉ ጥበብ፡ ኣብዚ ሃገር'ዚ «ጭቃ» ምስ ሓሰር ተባዒጡ እዩ ንህንጻ-ኣባይቲ ዘገልግል። ስለ'ዚ ትርጉም ጭቃ-ዓዲ፡ ኑቲ ዓዲ ጠሚሩ ዝኣስር ባእታ ማለት ይኸውን።

ንመራሕቲ ንግስነት/ኣውራጃ/ወረዳ/ጉልቲ/ ካብ ዝወሃቦም እተፈላለዩ ሽመት ግና፡ እቲ ብደረጃ *በዓል-ነጋሪት/ በዓል-ቀሚሽ* ዝኽፍል ፍልልይ እዩ ዝያዳ ክብሪ ዘልብሰም።

በዓል-ነጋሪት(ጉይታ ናይ ኩናት-ከበሮ)፥ነገሪት እዩ ናይ ስልጣኑ ኣድማ። ምትእስሳሩ ድማ፡ ብቀጥታ ምስቲ ሃጸይ እዩ።

በዓል-ቀሚሽ (ጉይታ ቀሚሽ-ሃሪ) ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ስልጣን ጽፍሕታት፡ ብተገብኦን/ንጉስ ብዘጽድቐሉ ሽመትን/ብቀዳምነት ነዚ ህያብ'ዚ ክለብስ መሰል ዘለዎ ሓላፊ እዩ።

ኣብ ናይ ስልጣን ጽፍሕታት፡ በዓል-ቀሚሽ/ ብበዓል ነጋሪት ይቕየድ። ኣብ ጉልቲ በዓል-ቀሚሽ ዝርከቡ ሹም-ዓድታት ድማ፡ ብኣኡ ብበዓል-ቀሚሽ ይቕየዱ።

ብዛዕባ'ዚ «ሹም» ዝብል ኣብ ኢትዮጵያ ዝውቱር ዝኾነ ቃል፡ ክግንዘብ ዝግባእ ነገር፡እዚ ሽመት'ዚ ኣብቶም መራሕቲ ሓያላት-እንዳታት እውን፡ ልሙድ እዩ ዝነበረ። ነዚ ድማ፡ ስም ናይቲ እተመደብሉ ኣውራጃ ወይ ወረዳ'ውን ይድርብሉ ነበሩ።

ንኣብነት፡ እቶም ሰፊሕ ወረዳ-ዓጋመ ዘመሓድሩ ዘርኢ እስባጋዲስ፡ ሰብ-ነጋሪት ክነሶም፡ *ሹም-ዓጋመ* ተባሂሎም ምስማይ ይመርጹ። ከምኡ'ውን ዘርኢ ሚካኤል-ሰሑል ዝኾኑ መራሕቲ ተምቤን፡ *ሹም-ተምቤን* ይበሃሉ። ኣባላት ናይዞም መሳፍንቲ እንዳታት፡ ሓድ-ሓደ እዋን፡ ንናይ ትውልዶም-ስም፡ ብመቀጸልታ-ስም ናይቲ ዝወለድሉ ኣውራጃ

የሰንደዎ። ንእብነት፡ ሓጕስ-ተምቤናይ ማለት፡ ሓጕስ በዓል ተምቤን/ ወይ'ውን ብስውር፡ ሓጕስ ካብ ጕይቶት-ተምቤን ማለት እዩ።

ብሓፈሻኡ፡ እዞም ክሳብ ሕጂ እተጠቕሱ ሽመታት፡ ብውርሻን/ መስመር ቦኽራ-ተባዕታውን ጾታ እኳ ክፍለጡ እንተጸንሑ፡ በዓል-ነጋሪት/ በዓል-ቀሚሽ፡ ዝኣመስሉ ሽመት ንምልባስ፡ መዝነት-ጽቡቕ ፍቓድን ንጉስ እውን ክሕወስዎ ይግባእ። መብዛሕትኡ ጊዜ ድማ፡ ከቢድ መንግስታዊ-ጉዳያት/ ዋሕዲ ዓቕመ-ጥዕናን/ ሞራላዊ ዘይብቕዓት፡ ከም ተቓውሞ ምስ ዘይቀርቡ፡ እቲ ኣገባብ ኣመራርጻ ኣይንጸግን። እዚ ኣብ ዘጋጥም ድማ፡ እቲ ንምርጫ ዝቐርብ ሕጹይ፡ ብመስመር-ኣቦ ብቀረባ ዝዛመዶ ተባዕታይ ክኸውን ይግባእ።

ብውርሻ ክምረጹ ዝግቦኦም መኳንንቲ፥ «ባላ'ባት» ይበሃሉ። በዓል-ኣባት፡ ብሕገ-ውርሻ ዝምረጽ ጕይታ ማለት እዩ።

መብዛሕትኦም እቶም ንኡሳን-ሹም(ሹም-ዓዲ) ዝሀልዎም ስልጣን እውን፡ውርሻዊ እዩ። ነዚኦም ድማ፡ እቲ ወትሩ ዝገሃድ ናይ ተቓውሞ ኣጋጣምታት ምስ ዘይዕንቅፎም፡ ሽመት -ተቐባልነትን- ኣይሕተትን። ኮይኑ ግና ኣብ ቁሸታት፡ እቲ ስልጣን ውርሻዊ ኣብ ዝኾነሉ "እንዳ" ዝሀልው ደቂ-ተባዕትዮ ናይ ምምራጽ ኣገባብ፡ ኣድላይ ኮይኑ ይርከብ። እዚ መሰል'ዚ ድማ፡ ዝያዳ ኣብቶም ግእዛውያን-ህዝብታት ኢትዮጵያ እዩ ደሚቑ ዝግለጽ።

ናይ ማምቢ ጽፍሒታት። ብዘይካ'ዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ፡ መብዛሕትኡ ብውርሻ ዝመሓላለፍ ሲቪላዊ-ጽፍሒታት፡ ንጉሳዊ-ስልጣን ዚገልጹ፡ ክልተ ካልኦት ጽፍሒታት'ውን ኣለው። ናይ ማምቢ/ ወታሃደራውን ጽፍሒታት ይበሃሉ።

ኣባላቶም፡ ብንጉስ ይምረጹ።

ኣብቲ ብሉጽ እዋናት ንጉሳዊ-ምምሕዳር ኢትዮጵያ፡ እቶም ኣብዚ ናይ ማምቢ ጽፍሒታት ዝምደቡ ዝነበሩ ናይ እተፈላለያ ክፍሊታት ኣመሓደርቲ፡ ህላዌኦም፡ ብስሩዕ ኣገባብን/ ንንጹር ስርሓትን፡ ግብራዊ እዩ ዝነበረ። ኮይኑ ግና፡ ኣብቶም ነጋውስ ብዝተኣታተወ ሽለልትንት ኮን/ሓያላት ብኢደ-ዋኒን ዘረጋገጽዎ ቀጻሊ ጸብለልትንት/ ሕጊ-ልምድታትን ብዘይምኽባር/ ብተወሳኺ ድማ፡ ኣብ ኩሉ ጨናፍር ናይቲ መንግስታዊ-ትካላት ብእተጋህደ ሓፈሻዊ-ፋሉልነት፡ እዞም እተጠቕሱ ደርቢ፡ ካብቶም ኣብ ስሩዕ መንግስታት ዝርከቡ ኣመሓደርቲ፡ ፈጺሞም ረሓቑ።

ኣብ ናይ ማምቢ-ጽፍሒታት ብቀዳምነት ዝስራዕ፥

ምስለኔ(ተምሳለይ)፡ ከም ቀዳማይ-ሚኒስተር ወይ ብሓፈሻኡ ከም ወኪል ይፍለጥ። ተምሳል ናይቲ ሃጸይ ብምዃኑ፡ ኣብ እተፈላለዩ መንግስታዊ-ጉዳያት/ ኣብ ጽንኩር ኩነታት ከም ኣማኻሪ/ ዝፋን ነቀይ ኣብ ዝበለሉ ድማ፡ ነቲ ንግስነት ዘመሓድር መተካእታ ሃጸይ እዩ።

ሓድነት ናይቲ ንግስነት ምስ ተበትከ፡ እዚ መጸዋዕታ'ዚ ንውሱን-እዋን ንኣመሓዳሪ-ትግራይ፡ ብሓፈሻኡ ድማ፡ ነቶም ኣብ ሓድ-ሓደ ወረዳታት እናተናበሩ፡ ከም መተካእታ ናይቶም ባህርያውያን-መራሕቲ ተባሂሎም ነተን ወረዳ ዘመሓድሩን ምክትላቶምን፡ እዩ ዝምልከት ነይሩ።

እዚ ዝኾነሉ ድማ፡ እቶም «ባህርያውያን» ዝበሃሉ መራሕቲ፡ መብዛሕትኡ ጊዜኦም ኣብ ማምቢ ናይቲ ንጉስ የሕልፍዎ ብምንባሮም እዩ። እቲ ምኽንያት'ኳ ንክበረታ ተባሂሉ እንተቐረበ፡ ብሓቁስ ኣብ በቦታኦም ኮይኖም ኣንጻር'ቲ ሃጸይ ውዲት ከይኣልሙ ብዝብል ፍርሕን/ ብልዕል-ኩሉ ድማ፡ ግብሪ ብናይ ምስግዳድ ዝነበሮም መዝነት፡ ሃብቲ ደሊቦም ልዕለ-ንጉስ ከይሓልፉ ደረት ኮግበረሎም እዩ ነይሩ ዕላማኡ።

ኣብዚ ጽፍሒ'ዚ ቀጺሉ ዝስራዕ፥

ሊቃ-መቋስ(ዓቢ ዳኛ)፡ መራሒ ኣስተርጕምቲ-ሕጊ(ሊቃውንቲ) እዩ።

ካልኦት ዝነበሩ ናይ ማምቢ-ሹማምንቲ፥ ብላታ ወይ ብላታ-ንጌታ(ኣማኸርቲ)/ ሻሊቃ-ዝፋን(ኣሰናዳኢ ብዓላት)/ ፈረስ-ኣዛዝ(ሓላፊ ዕቃበ-ኣፍራስ)/ ኣድራጊ ኣዛዝ

(ተቓጻጻሪ)/ *ጠጅ-ምልከኛ*(ናይ መስተ ሓላፊ)/*ኣስላፊ*(ኣመሓዳሪ ንጉሳዊ-ቤተ-ሰብ) *ብጅሮንዲ*(ንጉሳዊ ንብረት-ሃብትን ዝቆጻጸር)።

ኢ.ጋፋሪ(ሓለዋ)/ *ጽሓፍቲ*(ጽሒፈት-ፍቕድን)/ *ኣዛዝ*(መሪሕ ኣገልገልቲ) ድማ፡ ካቲ ጽፍሕታት ይድምድሙ።

ማምብታት ተኸተልቲ ንጉስ/መሳፍንቲ/ዓበይቲ መራሕቲ ሃገራት ናይቲ ንግስነት ወይ ግዙኣት ኣውራጃታትን ድማ፡ ብተመሳሳሊ እተሰርዑን- ተመሳሳሊ መዝነት-ስራሓትን ብዝነበሮም ኣመሓደርቲ እዮም ዝስርዑ ነይሮም።

ወታሃደራዊ-ጽፍሕታት። እዚ ጽፍሕታት'ዚ፡ ምክትል መኰንናት ንወገን ገዲፍካ፡ ነዞም ዝስዕቡ መዓርጋት እዩ ዘጠቓልል ዝነበረ፥

ኣዝማች(ትሑት መኰንን)/*ግራኝ-ኣዝማች* ወይ ግራ ኣዝማች(ኣዛዚ ጸጋማዊ-ክንፊ)/ *ቀኝ ኣዝማች*(ኣዛዚ የማናይ-ክንፊ)/*ፊት-ወራሪ*(ኣዛዚ ቅድመ-ግንባር)/*በዓምበራስ* (ሓደ ዕርዲ ወይ ንቕጣ ዘመሓድር)/*ደጅ-ኣዝማች*(ኣዛዚ ማእከል-ሰራዊት)/*መርድ ኣዝማች*(ኣዛዚ ተጠባባቒ ሰራዊት)/*ራእሲ*፡ ጠቕላሊ ኣዛዝ-ሰራዊት እዩ[1]።

ደጅ-ኣዝማች/ መርእድ-ኣዝማች/ ራእሲ/ ዝህልዎም ደረጃ፡ ናይ *በዓል-ነጋሪት* እዩ። እቶም ካልኣት መኰንናት ግና፡ *በዓል-ቀሚሽ* እዩ ደረጃኦም።

ካብ ደጅ-ኣዝማች ንላዕሊ ዝርከቡ መዓርጋት፡ ንጉስ ንውልቱ እዩ ዝስልሞም። እቶም ካብኡ ንታሕቲ ግና፡ ብደጅ-ኣዝማች/ መርእድ-ኣዝማች/ ራእሲ/ እውን ክሰየሙ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ እዞም ታሕተዎት መኰንናት ዝህልዎም መዓርግ፡ መሳፍንቲ እውን ብወገኖም ንናይ ባዕሎም ሰራዊት ዝጥቀምሉ እዩ።

ኣገዳስነት ናይቲ ዝፍቀድ መዓርግ፡ ምስ ዕቤት ደረጃ-ስልጣን ናይቲ ሰያሚ-ኣካል እዩ ክብሩ ክብ/ለጠቕ ዝብል። ንኣብነት ኣብ ሃጼያዊ-ሰራዊት ናይ ኣዝማቲ መዓርግ ዝለበሰ መኰንን፡ ኣብ ሰራዊት ትሑታን መሳፍንቲ ምስ ዝስለፍ፡ ኣብ ደረጃ ፊትወራሪ እውን ክብ ክብል ይፍቀድ እዩ።

ኣብቲ ፋሉልነት ዘኸተሎ ሓፈሻዊ-ዕልዋ ናይ ዝጸንሐ ስርዓት፡ ብዙሓት መራሕቲ ሲቪላዊ ክፍልታት፡ ባዕሎም እንተ ብዝረፋ/ እንተ ብውርሻ፡ ወታሃደራዊ-መዓርጋት ብዘይ ኣገባቡ ክስለሙ ተራእዮም እዮም። ስርዓቱ ዝነበረ ግና፡ ወታሃደራዊ-መዓርግ ብሕታዊ ኰይኑ፡ ኣብ መሰርዕ ሰራዊት ብወታሃደራዊ-ክእለት ብቕዓቱ ንዘመስከረ እዩ ዝፍቀድ ነይሩ።

ሃጼይ ኲን/ ኣብ ትሕተኡ ዝርከቡ መሳፍንቲ፡ ውሽጣዊ-ጸጥታ ንምሕላው፡ ብቀዋሚ ዘገልግል ሰራዊት ይርከብዎም። እንጻር ናይ ግዳም ጸላኢቲ ድማ፡ ኩሎም'ቶም ንብረት ብቑዓት ዝበሃሉ ዜጋታት ኣብ ሓፈሻዊ "ክተት" ክስለፉ ይግደዱ።

ማሕበራዊ ስርዓት። ብዛዕባ ናይ ቅዋም-ሕግን/ ኣሰራርዓ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝወሃብ ዘሎ ሓበሬታ ቅድሚ ምፍጻም፡ ኣሃዱኣዊ-ስርዓት ናይ'ቶም ብህ-ዝብታት ግእዝ እተሃዘቡ ኣውራጃታት፡ እዝዩ ሓራ ዝኾነ እወዳድባ ከም ዝኸተል ምጥቃስ ይግባእ። ኣብ ዝተረፉ ኣውራጃታት እውን ከምኡ ከይኰነ ኣይተርፍን።

ኣብ ነፍስ-ወከፍ «ዓዲ» ሓባራዊ-ጥቕሚ ንዝምልከቱ ጉዳያት፡ ኣብቲ "ሹም-ዓዲ" ዝጽውዖን-ዝመርሖን *ማሕበር* ይዝተየሉምን-ይውሰኑን። ማሕበር፡ "ባይቶ" ኣብ ዝበሃል ቦታ ይሰናዶ።እዚ ኣብ ጥቓ'ቲ ዓዲ ዝቑውም ቦታ'ዚ፡ ኣብ ጽላል ሓደ-ኦም/መብዛ-ሕትኡ ጊዜ ድማ ኦም-ዳዕሮ/ ከም መንበር ክገልግሉ ተባሂሎም ብክቢ ኣብ ዝስርዑ ኣእማን እዩ ዝከናወን።

ኩሎም'ቶም ዕድመ ዘብቅዑ ዜጋታት፡ ባይቶ ክሳተፉን- ርእይቶ ክገልጹን መሰል ኣለዎም። ኣብ ማሕበር፡ "መንደላይ" ዝበለ ኀበዝ እውን ክሳተፍ መሰሉ ሕልው እዩ። ኀበዝ መንደላይ ዝበሃል፡ ኣብ መበል 21 ዓመቱ ሓድ-ሓደ ባህላዊ-ኣገባባት ምስ እተ-

[1]- «ች» ዝብል ፊደል፡ ቋንቋ-ኣምሓራ እዩ። ናብ ቋንቋ-ትግራይ ክትርጎም፡ «ቲ» ዝብል ፊደል እዩ መተካእታኡ። ኣብነት፥ ኣዝማች= ኣዝማቲ ይኸውን።

ፈጸመሉ እዩ። ካብ'ዞም ኣገባባት ድማ ብፍላይ፥ እቲ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብኣቦኡ(ምስ ዘይህሉ ድማ፥ ብኣባልገ) ዝግበረሉ ናይ ሓዊ-ብረት/ኩናት/ጉራደ/ ህያብ ምርካብ እዩ እቲ ዝደመቐ።

መንደላይ እተባህለ ኀበዝ፥ ቤቱ ክፈሊ- ንባዕሉ ዝሓርሶ መሬት ክሓትትን ይፍቀዶ።

ኣገባብ ስነ-ሕጊ።

ካብ ደረጃ "ሹም-ዓዲ" ኣትሒዙ፥ ነፍስ-ወከፍ ሲቪላዊ ኣመሓዳሪ፥ ሕጊ-ፍትሒ ክመሓድር ይኽእል-ይግባእን ድማ። ናይ ፍትሒ ምምሕዳር ዝካየደሉ መዓልታት፥ መዓልቲ-ጾምን/ድሮ-ብዓላትን ክኾኑ ስለ ዝግባእ፥ ሮቡዕ-ዓርብን እዮም ዝውዕሉ። ኣድላይ ኣብ ዝበሃለሉ ናይ ሕጊ ጉዳያት ግና፥ ኣብ ካልእ መዓልታት እውን ክውዕል ይኽእል። ብዝኾነ ምኽንያት ግና፥ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት/ ኣብ ብዓላት-ሃይማኖታዊ ዝኽረታትን ዝውዕሉ መዓልታት፥ ፍትሒ-ሕጊ ምስንዳው ምክያድን ኣይፍቀድን።

እቲ "*መጋዘእያ*" ዝበሃል ናይ ብሓቂ ፍርዳዊ-ትካል ኣብ ግብሪ ናይ ምትርጓም ስልጣን ዝህልዎም መዝነታት፥ ብፍላይ ንጉስ/ ሹም-ነጋሪትን እዮም። ሹም-ጉልቲ ኮኑ ሹም-ዓዲ ኣብ ክንዲ መጋበእያ፥ "*ስርዓት*" እዩ ዝበሃል ፍርዳዊ-ትካሎም። ብዘይካ ብኣካል-ጉድለትን (ኣካላት ምቕንጻል) ብናይ ሞት-ፍርድን ዝቕጽዑ ገበናት፥ ካልእ ጉዳያት ብኣኦም'ውን ይውሰን እዩ። ሹም-ዓዲ፥ ዋላ ናይ መግረፍቲ መቕጻዕቲ እውን ክውስን ኣይፍቀድን።

ኣብ "ስርዓት" ንዝተኻየደ ፍርዲ፥ ይግባይ ክበሃለሉ ይከኣል እዩ። ቡቶም ካብ ንጉሰ-ነገስት ናይ ምስለኔ ስልጣን እተፈቕዶም ነጋውስን/ትሑታን መኳንንትን ዝወሃብ ፍርዲ ግና፥ ይግባይ ኣይበሃሉን።

ስርዓት፥ ኣብ ነፍስ ወከፍ ባይቶ-ዓዲ፥ ብጭቃ ወይ ሹም-ዓዲ ይምራሕ። ብዕድመ/ተሰማዕነት/ምስትውዓል/ ክቡራት ዝበሃሉ ከም ካህናት-ደብተራ-ሹማምንትን ዝኣመሰሉ ሰብ-ዓዲ እዮም'ውን ነቲ ጭቃ ዘሰንዩ።

ኣብ *ስርዓት* ክይሳተፉ መሰሎም እተነጽገ ዜጋታት፥ ደቅ-ኣንስትዮ/መንደላይ ዘይተባህሉ መንእሰያትን እዮም። ወላድን-ውሉድን ብሓባር ምስ ዝቐርቡ፥ እቲ ውሉድ ርእይቶ ክቕርብ ኣይፍቀድን። ከምኡ'ውን ንኣሽቱ ኣሕዋት ብዓቢ-ሓዎም ይውከሉ።

ስርዓት ሹም-ጉልቲ እውን ተመሳሳሊ እዩ ኣገባቡ። እቲ ሹም ነዚ ስርዓት'ዚ ክቖውም፥ ኣብቲ ጉልቱ ይብቕዑ ዝበሎም/ጭቃታትን/ቤተ-ክህነት/ሹማምንቲ/ደብተራን ይዕድም። ብዘይካ እቲ ሹም ድማ 3 ዳያኑ ምስ ዘይህልው፥ ናይ ፍርዲ-ስርዓት ኣይፍጸምን።

እቶም ንፍርዲ ዝቐርቡ ወገናት ሰብ ክልተ ፍሉያት-ዓዲ ምስ ዝኾኑ፥ በብጭቃ-ዓዶም ይድገፉ።

መጋበእያ ሹም-ነጋሪት እውን ከምዚ እተጠቕሰ ኣገባብ እዩ ዝኽተል። ነዚ መጋበእያ'ዚ ዘቕመ ግና፥ እቶም ኣብ ትሕተኡ ዝርከቡ በዓል-ቀሚሽ/ ከም ዳያኑ ቀሪቦም ድማ፥ ዝዓበየ ስልጣን ዝፍለጠሎም ክልተ ብላታ'ንጌታ(ኣማኸርቲ) ይቐርቡ።

ኣብ *መጋበእያ-ንጉስ* ድማ ዝሳተፉ ሰበ-ስልጣን፥ ብዘይካ'ቶም ዓበይቲ ሹማምንቲ-ግምቢ፥ ክልተ ብላታ'ንጊታ/እጨጌ/ነብርእድ/ኣፈ-ንጉስ (መስርዕ ሰብ-ነገር ሓልዩ በዓል-ተራ ዝጽውዕ)/ሊቀ-መኳስ(ከም ሓላፊ ናይቶም ብላታ'ንጊታ)/ እዮም ዝነበሩ።

ምጉት ኣብ ዝካየደሉ፥ ክሱስ ኮነ/ተኸራኸርቲ ወገናት፥ ኣገባብን-እፈታትሓን ፍትሓ-ነገስት ክጽውዑ (ክሓቱ) ይፍቀዶም። ሊቃውንቲ እዮም ድማ ነዚ ዝፍጽሙ።

ሊቃውንቲ፥ ብዘይካ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣምታት፥ ኣብ ፍርዲ ኣይሳተፉን።

ኣብ ጥንታዊ-ዘመናት፥ *መጋበእያ-ንጉስ* እዩ ንውልቂ ን ሞት/ ምቕንጻል ስውነታዊ-ኣካላትን ዝምልከቱ መቕጻዕታት ናይ ምውሳን ስልጣን ዝነበሮ።

ካብ «ዘመነ-መሳፍንቲ» ንደሓር ግና፥ እዚ ስልጣን'ዚ፥ ን *ሹም-ነጋሪት* እውን ተፈቕደሉ። ብኢደ-ዋኒኖም ዝገበትዎ(ዝቐምዕዎ) እውን ኣይተሳእኑን። ንኣብነት ኣብ

እዋናት ናይቲ 10 ዓመት ዝጸንሐ መግዛእቲ-ትግራይ ኣብ መረብ/ምላሽ ንጉስ-ዮሃንስ ንራእሲ-ኣሉላ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ስልጣን ፈቒድሉ ነይሩ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፣ ከም ዝበሃልን/ብብዙሕ ወገናት ከም ዝረጋገጽን፣ ኣሉላ ኣብቲ ናይ ኣስመራ መጋበእያኡ፣ ካብቲ ብልምዲ ዝጸንሐ ኣገባባት ርሒቑ፣ ብዘይካ'ቶም ሊቃውንቲ /ሰብ-ልቦና ዝበሃሉ ሹም-ዓዲ/ካህናት/ሽማግለ/መኳንንቲ/ዝኣመሰሉ ብናይ ግዝእ-ርእሱ ቤት ምኽሪ-መኳንንቲ ተዓጂቡ ጥራሕ እዩ ፍርዲ-ከመሓድር ጸኒሑ። መጋበእያ-ኣሉላ ዝነበሮ ስልጣን ድማ፣ ሲቪላዊ-ጉዳያት እውን ይምልከት ብምንባሩ፣ እቶም ብኣኡ ዝፍረዱ ወገናት መብዛሕትኡ ጊዜ፣ ቅኑዕ-ፍትሒ ኣይረኽቡን ዝነበሩ።

እቶም ኣብ መጋበእያ-ንጉስ ዝሳተፉ በዓል ብላታ'ንጊታ/ሊቃውንቲ/ሊቀ-መቋስ....ኣብ ናይ ጐንደር ቤት/ትምህርታት እዮም ጽሕፈት/ስርዓት/ፍትሓ-ነገስት/ዝመሃሩ ነይሮም።

መጋበእያ-ንጉስ፡ በብእዋኑ ኣብቲ ንሱ ዝርከበሉ ቦታ -ኣብ ጐልጐል ጽሓይ ኮነ/ኣብ ጽላል-ኦም ይካየድ። ነዚ ዝዕጅቡ ድማ፣ ብዘይካ'ቲ ኣብ መንበር ተቐሚጡ ዝመርሖ ንጉስ፣ 12 ዳያኑ ይርከብዎ።

ኣንጻር-ህይወት/መዝነት ንጉስ ኮነ ወኪላቱ ዝፍጸሙ ናይ ክሕደት/ሕስመት/ጥላቐ-(ኣንጻር ሰሩዕ መንግስቲ ዝግበር ማሕላ)/ውዲት፣ ዝኣመሰሉ ገበናት ኰኑ -ኮነይሉ እተገብረ ነፍሰ ቅትለት/ህጥጥር(ጕእፋረ)/ከትረ(ዝምታ)፣ ዝኣመሰሉ ገበናት ፍላይ ኣብ ልኡል-መጋበእያ እዩ ፍርዲ ዝወሃቦም።

ዋንነት-መሬት ንዝምልከቱ ጉዳያት፣ እቲ ነገር ንክልተ ደቅ-ዓዲ ወይ ንክልተ-እንዳ ሰብ ሓደ-ዓዲ ምስ ዝምልከት፣ ነገሮም ኣብ "ስርዓት ሹም-ዓዲ" ይፍታሕ።

ዝማጉቱ ወገናት፣ ዓዶም በበይኑ ግንከ ኣባላት ሓደ ጉልቲ ምስ ዝኾኑ፣ ኣብ "ስርዓት ሹም-ጉልቲ" ይዳነዩ። ቀጺሉ፣ ጉልቶም በበይኑ ምስ ዝኸውን፣ ኣብ "መጋበእያ ሹም-ነጋሪት" ማለት ኣመሓዳሪ ናይቲ ወረዳ እዩ ፍርዲ ዝወሃቦም።

ውልቀ-ሰብ ንመናግርቱ ናብቲ ዝምልከቶ ቤት/ፍርዲ ክቕርብ ምስ ዝደሊ፣ ስም ሹም ኰነ/ስም-ንጉስ ምርቃሕ ኣኻሊ እዩ። ንኣብነት እቲ ሕ/ሰብ ብከንቲባይ እንተድኣ ኰይኑ ዝመሓደር «ዝባን ከንቲባይ-ዝባን ንጉስ» ይበሃል። ከምዚ'ሉ እተዓደመ ተጻራሪ፣ ኣብ ፍርዲ ምስ ዘይቀርብ፣ ንከንቲባይ ወይ ንንጉስ ከም ዝዘለፈ፣ ወንገለይና ይበሃል።

ኣብቲ ሳሕቲ እዚ ዕድመ'ዚ ዘይከብረሉ ኣጋጣምታት፣ ከቢድ እዩ ናይ መቕጻዕቲ ሳዕቤናቱ።

ዝኾነ ንኣብያተ-ፍርዲ ዝቐርብ ሰብ፣ ብ ዳኛ(ዳይና)ተሰንዩ ክቐርብ ይግባእ።(መበቆል ናይዚ ዳይና ዝብል ስም፣ ምፍላጡ ኣይተኻእለንን)-

ዳይና ዘማልእ ተልእኮ፣ ኑቲ ክልተ-መኻስስቲ ወገናት ዘቕርብዎ ምኽንያት፣ ብጥንቃቐ ምስማዕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ቅድሚ ክልተ ወገናት ዝቐርቡ ምስክራት ምውካስ እዩ ዝነበረ ዋና ዕላማኡ። መሰኻኽር ዝርከብሉ ቦታ ራሕቂ ምስ ዝህልዎ፣ ብሰብ ነገር ተሰንዩ ኣብቲ ቦታ ይጓዓዝ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብዘይሻርነት፣ ውጽኢት ናይቲ ዝረኸቦ ሓበረታን-ክልተ ወገናት ዘቕርብዎ ምኽንያትን፣ ብማዕረ ናብ ቤት-ፍርዲ የቕርብ።

ዳይና፣ ንጥቕሚ ይኹን/ ብካልእ ምኽንያት ሻራ ምስ ዝሕዝ፣ ብከቢድ ይቕጻዕ። እቲ ሻርነት ሞት ሓደ-ንጹህ ዘኸተለ ምስ ዝኸውን፣ ብሞት'ውን ክቕጻዕ ይኽእል።

ዳይና፣ ብከሳሲ እዩ ዝምረጽ። ኰይኑ ግን፣ ተኸሳሲ እውን ናይ ተቓውሞ መሰል ስለ ዝህልዎ፣ ካልእ ዳይና ክረቁሕ ይኽእል። ከምዚ'ሉ'ዎ ድማ እቶም ክልተ ሰብ-ነገርን/ክልቲኦም ዳያኑን፣ ናብ ሓደ ሽማግለ ማለት ናብ "ሹም-ዓዲ" ይቐርቡ። ንሱ እዩ ድማ ከም ሞንጎይና ኑቲ ነገር ዝኣሊ ዳይና ዝመርጽ።

እቲ ናብዚ ዘብጽሕ ተቓውሞ ግና፣ ብሳሕቲ እዩ ዘጋጥም። ምኽንያቱ፣ ንሓደ-ሰብ ከም ዳይና ምንጻግ፣ ዓቢ ጸርፊ ስለ ዝኸውን፣ ንባዕሉ ነገር ዘላዕል ጉዳይ እዩ።

ክሲ፥ ኣብ ቀዳማይ-ደረጃ ቤት ፍርዲ ምስ ዘብቅዕ፥ ንዳይና ዝፍለጠሉ ጸማ፥ 2 ቅርሺ እዩ ዝነበረ ዋጋ-ሞያኡ። እቲ ነገር ግና ደማባይ ተባሂልዎ ናብ «መጋበእያ-ንጉስ» ንዓድዋ ክቐርብ እንተኾይኑ፥ እቲ ዝውሰን ጸማ፥ 7 ቅርሺ-ባጠራ ይኸውን። ንጉንደር ክኸየድ እንተድኣ ኰይኑ ድማ፥ 15 ቅርሺ ይኸፈል። ኲታስ ራሕቂ ናይቲ ንጉስ ዝርከበሉ ቦታ እዩ ዋጋ-ጸማ ዝውስን። ነዚ ዝኸፍል ወገን ድማ፥ እቲ ዝተረትዐ እዩ።

ደቅ-ኣንስትዮ፥ ዋላ'ውን ብምስክርነት ንቤት-ፍርዲ ኣይቀርባን። ኣብ ቤተን ግን፥ ኣብ ቅድሚ ዳይናን-ክልተ ዝምልከቶም ወገናትን፥ ብማሕላ ይምስክራ። ነፍሰ-ጾር ጓል ኣንስተይቲ፥ ብሕርሲ ተገላጊላ ኣጸቢቓ ምስ ደልደለት እያ፥ ንምስክር ትሕተት።

ናብ ቤት-ፍርዲ ምቕራብ እምቢተይና ምስ ዝርከብ፥ ብዘይካኡ(ንሱ ኣብ ዘይህልወሉ) ፍርዲ ኣይፍጸምን። ቅትለት ንዝኣመሰሉ ከበድቲ ገበናት ግና፥ ንብረት በዓል-ገበን(ቤተ-ሰቡ ብዘየገድስ) ተወሪሱ ኣብ መዝገብ-ሃጸይ ይተሓዝ። ክሱስ፥ ብቀጻሊ ይህደን። ኣብ ሞንን'ቲ ገበን ዝፈጸመሉን-እተኣሰረሉን ዕለት ዘሎ እዋን ብዘየገድስ፥ ፍርዲ ይከናወን። በደለይና ኰይኑ ምስ ዝርከብ ድማ፥እቲ ዝኸተል መቕጻዕቲ ልምዳዊ ኰይኑ፥ ዝኾነ ሕድገት ኣይግበረሉን።

ኩናን(ኩነን)ክድመጽ፥ ናይ ሰለስተ-ሰባት ስሙር ምስክርነት ኣኻሊ እዩ። ናይ ጾታ ኣፈላላይ ኣይዝውተርን።

ትሕቲ 10 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት፥ ክምስክሩ ኣይፍቀድን። ከምኡ'ውን ኣዝማድ ክሳብ ሓሙሻይ ደረጃ ወለዶ። ኣብ ሃገር ዘይተወልዱን-ጊላታት እውን፥ ንምስክር ኣይበቕዑን። ጊላታት ክሰም ኣብ ሃገር ንዝውለዱ ግና፥ በዓል ነገር ካብ እንዳ-ጕይ-ታኦም ምስ ዝኸውን እዮም ድኣ ንምስክር ዘይቀርቡ'ምበር፥ ኣብ ካልእ ኢጋጣምታት ክምስክሩ ይፍቀድ እዩ።

ምስክር ኣብ ዝሰኣነሉ ጉዳይ፥ ክሳሲ ዘይከነ፥ እቲ ክሱስ ብማሕላ ይሕተት። ኣገባብ-ማሕላ ድማ፥ ከምዚ እዩ ዝነበረ፥ ዳይና ንክሱስ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ኣቕሪቡ፥ ኣብ ቅድሚ ሓደ ካህን ቀንደል የብርህ፥ ኣስዒቡ ነቲ ክሱስ «በደል ሃልዩካ ምስ ዘይትናሳሕ፥ ስድራኻዶ ከምዛ ቀንደል የጥፍኦዮም ?»። ክሱስ፥ «የጥፋኦዮም» ቢሉ ምስ ዝምልስ፥ ዳይና ቀንደል የጥፍእ። ብድሕር'ዚ፥ ክሱስ ንጽህናኡ ኣሚኑ ነጻ ይልቀቕ።

መሰኻኸር ምስ ዘህልው ግና፥ እቲ ናይ ማሕላ ኣገባብ ክይለወጠ፥ ቦታኡ ለዊጡ ኣብ ክንዲ ኣብ ቤተ-ክርስትያን፥ ካብቲ "ስርዓት" ዝካየደሉ ቦታ ፍንትት ኢሉ ይፍጸም። «ሓቂ ምስ ዘይትናሳሕ፥ ኣደኻ-ኣቦኻ-ደቅኻንዶ ከምዚኣ የጥፍኣዮም ?» ተባሂሉ ምስ ተሓተተ ድማ፥ ቀንደል ይጠፍእ። እቲ ምስክር ከኸም ዝመለሰ፥ ኣብ ቅድሚ ስርዓት ይቐርብ።

ካብዚ ከም እንምልከቶ፥ እቲ ናይ ማሕላ ኣገባብ፥ ካብቲ ኣብ ኢጣልያ ዝዝውተር እተፈለየ እዩ። ኣብ ሞንን ዝምልከቶም ወገናትን-ዳይናን ስለ ዝፍጸም፥ ብሕታዊ ኰይኑ ካብ ቤት-ፍርዲ ወጻኢ ይፍጸም ኣሎ ማለት እዩ።

ፍርዲ ምስ ተዋህበ፥ እቲ *ስርዓት፥* «ፍትሒ ተገቢርልኩምዶ ?» ብምባል ንቶም ወገናት ይውክሶም። ኣወንታ እንተድኣ ኰይኑ መልሱ ድማ፥ ነፍሰ-ወከፍ ወገን ዓጊበ ንማለት፥ «ንጉስ ይሙት» ኢሉ ብህይወት ንጉስ ይምሕል። ነገር ንሓዋሩ ይዓርፍ።

ክልቲኦም ወገን ወይ ሓዲኦም ምስ ዘይዓግብ ግና፥ 'ይማባይ" (እግባው)ተባሂሉ ናብ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ይመሓላለፍ።

ብዘይብቑዕ ምኽንያት ቀሪቡ እተነጽገ ናይ ይማባይ ኣቤቱታ፥ ኣብ መዝገብ-ሃጸይ ብዝኣቱ 2 ቅርሺ-ባጠራ ይቕጻዕ።

ብዘይካ'ዚ ክንከተሎ ዝጸናሕና ኣገባብ-ስርዓት ኣቢያተ-ፍርዲ/ናይ ፍርዲ ኣካላትን፥ *ዳንይቲ ወይ ሽማግለ* እተባህሉ ህዝባውን-ባህላውን ትካላት እውን ነይሮም እዮም። ካብዚ ኣካል'ዚ ድማ ብስምምዕ ክልተ-ወገናት፥ ካብ ህልዋት ክልተ-ዳያኑ ይምረጹ። ብስም ንጉስ እዮም ድማ ነዚ ሓላፍነት ዝቕበሉ። ኣብ ዓድ-ሓበሻ እዚ ባህል'ዚ ኣዝዩ ጥንታዊ እዩ።ነፍሰ-ወከፍ ኢትዮጵያዊ ነቲ ኣብ ቀዳማይ-ደረጃ ዝካየድ ፍርዲ ምድናይ ብቑዕ እዩ ዝብል ጥንታዊ-ልምዲ፥ ካብ ዘመነ-ነገስታት ኣኽሱም ኣትሒዙ ከም ዝነበረ ዝእምቱ ሓበረታ እውን ኣይስእኑን።

ነዚ መዝነት'ዚ እተገብአ ሰብ ክነጽን ኣይፍቀድን። ብሓፈሻኡ ግና እቲ ንከምዚ ዝበለ ፍርዳዊ-ትካል ብክልቲኦም ወገናት ዝምዘዝ ሰብ፡ " ሹም-ዓዲ " ናይቲ ቦታ እዩ ዝነበረ። ክልቲኦም መናግርቲ-ወገናት ብውሳነ ናይዚ ሽምጋሊ-ዳይና ክቕየዱ ተመባጺዮም «ንጉስ ይሙት» ኢሎም ምስ ዝቐርቡ፡ እቲ ፍርዲ ይግባይ ኣይበሃለሉን። ነዚ ዘፍረሰ ድማ፡ ዋጋ-ደም ተባሂሉ ኣብ መዝገብ ሃጸይ ዝኣቱ 120 ቅርሺ-ባጢራ ይቕጻዕ።

ካብዚ ክንግንዘቦ ከም እንኽእል እምበኣርከስ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ሕገ-ስርዓት፡ ስሉጥ-ቀሊል-ሞጐታውን- እዩ ዝነበረ። ነዚ ዝዕንቅጽ ካልእ ናይ ጉኒ ኣገባባት እውን ነይሮም እዮም። ንኣብነት፡ እተረትዐ ወገን ኣብ ጥቕሚ ፈራዳይ ዝውዕል ንብረት ን «ውርዲ» ኢሉ የቕርብ። ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ወገን ኑቲ ብተጻራሪኡ ዝቐርብ ሞጐት እናንጸገ፡ ሓሶት ምዃኑ ብመርትዖ ከመስክር ምስ ዝኽእል፡ ንመማጉቱ ብገንዘብ/ጥሪት-ዘቤት(ብዕራይ-በቕሊ-ፈረስ-ጠለ/በጊዕ...)፡ ወይ ብእኽሊ(እዚ'ውን ንዳይና)ብውርዲ ይገጥሞ። ወይ ከኣ ተጻራሪ ንዘቕርቦ ሞጐት ኣሉታ ተዋሂቡ፡ ነዚ ዘመስክር ጭብጢ ምስ ዝቐርብ፡ ንፈራዳይ ዝኸውን ክንድ'ዚ ክኽፍል ይበሃል።

ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ማእለያ ዘይርከቦም ናይ ጉኒ ኣገባባት እዮም ድማ መብዛሕትኡ ጊዜ ንናይ ፍርዲ-ትካላት ጕተት ዘብሉ። ዝኣመሰሉ ኣገባባት እዮም ድማ ንርኹባት ስለ ዘርብሑ፡ ናይ ማልዶ(ጉቦ) መንቀሊ ዝኾኑ።

ልክዕ እዩ ኣብ ክልሰ-ሓሳባዊ ትሕዝቶኡ እቲ ርኹብ ኑቲ ስእን ክዕብልል ምእንቲ፡ ሰፍ-ዘይብል ጥሪት-መብጽዓን'ኳ እንተቕረበ፡ ፈራዲ ብደረጃ-ትሕዝቶ ናይቲ ስእን እዩ ኑቲ «ውርርድ» ዝኣልዩ። ከምኡ'ውን ከም ክልሰ-ሓሳቡ፡ እቲ ሃብታም ዝጥቀመሉ ናይ ምዕብላል ፈተነ፡ ስድራ--ቤት ናይቲ ስእን ብሓባር፡ ንብረት ኣዋጺኦ ይገጥሞ እዩ።

ኣብ ግብሪ ግና፡ ካልእ እዩ ነይሩ ነገሩ።

እዚ ናይ ውርዲ-ኣገባብ፡ ክሳብ ብደረጃ ህይወት እውን ይዝውተር። እተረትዐ ወገን ግና ሓያል መቕጻዕቲ ንብረት ተቐጺዑ ይዳን።

ውርርድ ክግበር እንከሎ፡ ነፍስ-ወከፍ ወገን ከም ወኪል ዝሕተት ዋሕስ ይዓግት። ንውርርድ ይኹን ናብ ቤት-ፍርዲ ዝኣቱ መቕጻዕቲ ንምኽፋል፡ «ይዋሓስ» ኢሉ ዝቐርብ ሰብ፡ ክሳብ ክንድ'ቲ ዝፍራሕ ሳዕቤናት ኣይገጥሞን። ምኽንያቱ፡ እንዳዊ ስርዓት-ኣወዳድባ ወይ'ውን ኢትዮጵያዊ ሕ/ሰብ፡ ኣብ ጽኑዕ ዝምድናዊ ምትእስሳር ስለ እተሰረተ፡ ዘይከፈለ ዋሕስ ምስ ዝእሰር(ዝሕየር) ሓቢታት ዝበሃሉን፡ ኣድላይ ምስ ዝኸውን ድማ ክሳብ'ውን ብደረጃ ናይቲ ንሱ ዝውለደሉ ደቓ/ደቂ ተኣኪቦም ውጽኢት ኣዋጺኦም ንእሱር ወድ'እንዳኦም ከም ዝልቀቕ ይተሓባበሩ።

ገበናት - መቕጻዕትኦምን።

ገበናት ከከም ዓይነቶም፡ ብከምዚ ዝስዕብ ይቕጽዑ ነበሩ፥

1)-*ብንብረት* -ብኻሕሳ ወይ ምግፋፍ ንብረት ይዳነዩ።

2)-*ብማእሰርቲ* -ስደት ናብ ሓደ-እምባ ወይ ብ "*መንቆር-ምቋሕ*"።

3)-*ኣካላዊ* -ግርፋት(*መግረፍቲ*)/*መቑረጽቲ* ስውነታዊ-ኣካላት/ምክርታም መልሓስ/ ምንቋር-ዓይኒ።

4)-*ናይ ሞት-መቕጻዕቲ*-ብምርሻን/ብጉራደ/ብተመሳሳሊ ዝበኣይና እተጠቕመሉ ብረት /ብሓዊ ምንዳድ።

ስደት ናብ ሓደ-እምባ ክበሃል እንከሎ፡ ንገበነይና ናይ ምንቕስቓስ ሓርነቱ ምውሳን ማለት እዩ። ማንም ነገር ዘይጐድሎም፡ መሬት/ቁሽት/ ሰፋሕቲ ጐላጉልን ዝርከብዎም እምባታት እውን ኣለው እዮም። ኰይኑ ግን መደያይቦኦም ጽንኩር-ፍሉጥን ብምዃኑ፡ ኣብቲ ቦታ ጥንቁቕ ሓለዋ ምስ ዝግበር፡ ምምላጥ ኣይከኣልን።

መንቆር-ምቿሕ ዝኣመሰለ መቕጻዕቲ ድማ፣ ገበነይና በእዳውን-በእጋሩን ምስ ክልተ ንሓለዋ እተመደቡ ሰባት፣ ብየማኑን-ጸጋሙን ይምቿሕ። ሓለውቲ ግን፣ ምብርሪይ ይግበረሎም።

መቕጻዕቲ-ሞት ዝፍጸም፣ ብቤተ-ሰብ መዋቲ ስለ ዝኾውን፣ በዓል-ወግዒ (በቲ ስርዓት ክውሰን ዝግባእ ጉዳይ) ኣየድልን።

ደቅ-ኣንስትዮ፣ ብዘይካ ኣብ ሓደ ኣስዒብና እንምልከቶ ፍሉይ ኩነት፣ ብመቑረጽቲ ኩን/ብሞት ኣይቕጻዓን። መግረፍቲ ንዝምልከት ድማ፣ ብደወን-ምስ ልብስታተን ይግረፋ። ተባዕትዮ ግና፣ ጥራሕ-ዝባኖም ኣብ መሬት ወዲቖም ይግረፉ።

መንእሰይ በዓል 7 ዓመት፣ ካብ መቕጻዕቲ ሓራ እዩ። ቅትለት-ነፍሲ ንዝምልከት ገበን ግና፣ 7-ዓመት ዝመልአ ምስ ዝኾውን፣ በቲ ንዙር ወይ ብጋር-ነፍሲ ይቕጻዕ። ኣብ ሞንጎ 7-10 ዓመት ዕድመኦም ዝህልው ንኡሳን፣ ክከም ዝፈጸምዎ ገበናት፣ ብጽቡቕ ፍቓድ ቤት-ፍርዲ፣ እተመጣጠነ ምምዕርራይ መቕጻዕቲ ይግበረሎም። ዓሰራይ-ዓመቱ ዝመልአ፣ገበነይና እተባህለ መንእሰይ፣ሕገ-ገበናት ንዝምልከት፣ከም እኹል-ሰብ ይፍረድ። ድጉስ፣ ብዕጽፊ ይቕጻዕ።

ዝሙት(ምዝማው) ዝኣመሰለ ገበን፣ ተበዳሊ-ወገን ብዘቕርቦ ክሲ ንፍርዲ ይቐርብ። እተበደለ ሰብኣይ፣ ንሱ ከም ዝወሰና ጸረ-ዘማዊት በዓልቲ ቤቱ ጥራሕ ዘይኮነ ንመዛምውታ እውን ክኸሰስ ይፍቀድ።

ኣብ ቅድም-ሕጊ ዝኾነ 7-ዓመት ዝመልአ ዜጋ፣ ብቅትለት-ነፍሲ ገበነይና ምስ ዝበሃል ንሞት ክፍረድ ይክኣል። ክምቲ ምስ ኣንስታይ-ጾታ ዘጋጥም ግና፣ ጽቡቕ-ፍቓድ ስድራ ቤት-መዋቲ ምስ ዝህሉ፣ ተባዕትዮ እውን ብጋር-ነፍሲ(120 ቅርሺ-ባጠራ) ክዳነዩ ይኽእሉ። ንቤተ-ሰብ መዋቲ ኣብዚ ዳሕረዋይ-ምርጫ(ጋር-ነፍሲ) ነገሮም ክዓርፍ፣ ብማዕዳ-ልመና-ሞራላዊ ምኽርታት-ዘጸናንዕ/ብንጉስ እውን ተመዚዞም ዝቐርቡን/ ክህናት እዮም ዝነበሩ። ቤተ-ሰብ መዋቲ ግን ዝሓትዎ ካሕሳ፣ ነፍሲ-ብነፍሲ ምስ ዝኾውን፣ ገበነይና ናብኦም ይቐርብ።

ገቡ ንምፍጻም እተጠቕመሉ ብረት ገይሮም እውን ክቕትልዎ፣ መሰል ይፍቀዶም።

ኣብ ኩሎም ኣቢያተ-መቕደሳት፣ መሰል-ዑቕባ እተሓለወ ኩይኑ፣ ኣብዚ ቦታ'ዚ እተዓቕበ በደለይና፣ ንፍርዲ ኩን/ምቕጻዕ፣ ብሓይሊ ካብዚ ቦታ ምውጻኡ፣ ክልኩል እዩ። ብቀዳምነት ካብ ዝስርዑን-ዝውቱሩት ዝበሃሉን ገበናት፣ ከም'ዝስዕብ እዩ ዝነበረ መቕጻዕቶም፥

1)- ኣንጻር-ንጉስ ዝካየዱ ናይ ዕልዋ ፈተነ፥ መልሓስ ብምኽርታም ይቕጽዑ።

2)- ተቓውሞ ንልኡላዊ-ስልጣን፥ ብ መንቆር-ምቿሕ ይቕጽዑ። እቲ እተገብረ ተቓውሞ ግን ብብረት ምስ ዝኾውን፣ መቑረጽቲ ኣእዳውን-ኣእጋርን እዩ መቕጻዕቱ። ብተወሳኺ ድማ፣ ኣብ ክልቲኦም ዓይነት ገበናት ንብረት ገበነይና ተገፊፉ ኣብ መዝገብ ንጉስ ይኣቱ።

3)- ርኽሰት ኩነ፣ ስርቂ ንብረት ቤተ-ክርስትያን፥ ብዓይኒ ዕውረት/ምቑራጽ ኣካላትን ክከም ክብደት ናይቲ ገበን ይቕጻዕ።

4)- ባርነት፥ ክርስትያን ንዘበለ ከም ጊላ ምሻጡ፣ የማናይ-ኢድ/ጸጋማይ-እግርን ዘኸልእ ገበን እዩ።

5)- ናይ ሓሶት-ምስክር፥ ሕገ-መነባብሮ(ቺቪለ) ንዝምልከት ጉዳያት፣ ብመግረፍቲ 50 ሓለንጊ ይቕጻዕ። ብዘይካ'ዚ፣ ንሓዋሩ ንምስክርነት ኣይበቅዕን ይበሃል።

ሕሜታ/ ናይ ሓሶት-ምስክርነትን ብሕገ-ገበናት(ፐናለ)፣ ማዕረ'ቲ ንሕሙይ ወገን ኩን/ ነቲ ብናይ ሓሶት ምስክርነት እተጠቕዐ ዝወረዶ ክሳራ ይቕጽዑ። ኩነ፣ ኣብቲ ገበን እተጋህደሉ መዓልቲ ይድመጽ።

6)- ዝሙት፣ ዘማዊ-ሰብኣይ(በዓል-ቤት) 40 ቅርሺ ይቕጻዕ። ዘማዊት በዓልት-ቤት፣ ትፍታሕ- ብዘይ ንብረት ክትወጽእን ትኹንን። ንዘበለ ዘማዊ-ሰብኣይ፣ ተመሳሳሊ እዩ መቕጻዕቱ። መዛምውቱ ዘይምርዕውቲ ምስ እትኸውን፣ ንሳ ካብ መቕጻዕቲ ሓራ እያ።

ምርዕው ሰብኣይ ምስ ዘይምርዕዉ፡ ሓንቲ ጊዜ እውን ትኹን ኣብ ዝሙት ምስ ዝርከብ ብ 12 መግረፍቲ-ሓለንጊ ይቕጻዕ።

7)- ምስ ሓውቲ ዝፍጽም ዝሙት፥ ንብረት ዝከኣይና ተገፊፉ ንድኻታት ይዕደል። ምስ ውላድካ(ጓል) ዝፍጽም ዝሙት፥ ምቑራጽ የማናይ-ኢድ እዩ መቕጻዕቱ። ምስ ወላዲትካ ዝፍጽም ዝሙት፥ ኣብ ላዕለዋይ-ምንጋጋ ዝርከቡ ኣስናን ብምሉኣቶም ይድርቀሙ።

ኣብዞም እተጠቕሱ ዝናት ተሓባበርቲ ዝበሃላ ደቅ-ኣንስትዮ፡ ላዕለዋይ-ከንፈረን ይቑረጽ። ካልእ ምስ ቀረባ ኣዝማድ ዝፍጽም ሲጋዊ-ዝሙት፡ ዋላ'ውን ጭብጢ ምስ ዝርከቦ ብደረጃ-ፍርዲ መቕጻዕቲ ኣየኸትልን። ምስ ቀረባ-ዘመድ ዝፍጽም ዝሙት፡ ኣዝማድ ብዘይኮኑ ከሰስቲ ምስ ዝቐርብ እዩ ፍርዲ ዝወሃብ።

8)- ማህረምቲ/መቑሰልቲ/መቑረጽቲ ንዘምልከቱ ዝናት፡ ሃራምን-ተሃራምን ደቅ-ሓደ ጉልቲ ምስ ዝኾኑ፡ ቤት-ፍርዲ ብዝመረጾም ሰለስተ-ሽማግለ ከም ዝወሰኑዎ፡ ብንብረት ይቕጽዑ። ጉልቶም በበይኑ ምስ ዝኸውን- ኣቐዲሞም ድማ ብሰላም ምሕዝነትን ዝነበሩ ምስ ዝኾኑ(ኣብ ሞንጎኦም ሕሉፍ ጽልኢ ምስ ዘይህሉ)፡ ብቕውም ውሳነ 30 ቅርሺ እዩ መቕጻዕቱ። ኣብ ሓድሕዶም ዝጸንሐ ጽልኢ ምስ ዝህሉ ግና፡ በደለይና እተባህለ 60 ቅርሺ ይቕጻዕ።

9)- ኩነይሉ ዝፍጽም ቅትለት-ነፍሲ፡ ሞት እዩ መቕጻዕቱ። ኩይኑ ግና ከምቲ ኣቐ-ዲሙ እተጠቕሰ ብ 120 ቅርሺ-ባጠራ(ጋር-ነፍሲ) ክዳን'ውን ይከኣል።

10)- ሰርቂ፡ ኣብ መጀመርያኡ ካብ 10 ክሳብ 50 መግረፍቲ-ሓለንግን እተዘረፈ ንብረት ወይ ዋጋኡ ምኽሓስ ይቕጻዕ። እቲ ገበን ምስ ዝድገም፡ የማናይ-ኢድ/ጸጋማይ እግርን ይቑረጽ።

11)- ዝባን ንጉስ ተባሂሉ ንቤት-ፍርዲ ተዓዲሙ ዘይቀረበ፡ ከምኡ'ውን ብስም ንጉስ ክሽምግል ኩነ/ ኣብ ቤት-ፍርዲ ዳያኑ ከፈርድ ተጸዊዑ ንቲ ዕድመ ዝነጸገ፡ ዋጋ ጋር-ነፍሲ(120 ቅርሺ) ይቕጻዕ። ኣታዊ-ገንዘብ ኣብ መዛግብ-ሃጸይ ይተሓዝ።

ኣገባብ መንቆር-ምቿሕ፡ ዝከኣይናታት ከየምልጡ ምቍጽጻር'ዩ ነይሩ ዕላማኡ። ብን-ብረት ክቕጽዑ እተፈረዱ ዜጋታት'ውን ዕዳኦም ክሳብ ዘይከፈሉ፡ ብተመሳሳሊ ይም-ቍሑ።

ናይ ምሕረት መሰል፡ ብፍላይ ንሃጸይ ይምልከት። መብዛሕትኡ ጊዜ ቤተ-ሰብ ዝከኣይና ብዘቕርብዎ ኣቤቱታ እዩ'ውን ክፍቀድ ዝከኣል። ተበዳሊ ወገን ንክሱስ ምሕረት ምስ ዝገብረሉ፡ ገበኑ ብዘየገድስ፡ ብሕገ-ገበናት ስጉምቲ ኣይውሰደሉን።

ንሓደ-ዝከኣይና ዝፍቀድ ምሕረት፡ ንኩሎም'ቶም ምሳኡ እተኸሰሱ ወገናት ይምልከት። ሰናይ-ፍቓድ ምሕረት፡ ብኡንብኡ ይትግበር።

ተበዳሊ-ወገን ግና እቲ ምሕረት ንሓደ-ሰብ ብፍላይ ከም ዝምልከት እንተድኣ ኩይኑ ድልዩቱ፡ እቶም ካልኦት ገበን ዝፈጸሙ ተሓባበርቲ፡ ሓራ ኣይበሃሉን።

ክሱስ ወይ ኩኑን ምሕረት ክነጽግ ኣይግባእን።

መራሕቲ ንግስነታት-ወረዳን ንፖሊቲካዊ-ምኽንያታት ብዘንቅልዎ ዕላማ፡ ሓፈሻዊ-ምሕ-ረት ክእውጁ ይከኣል። እዚ ግን መብዛሕትኡ ጊዜ ብሃጸይ ክፍጸም ይግባእ። ጸጋ-ሕድገት ወይ ሓፈሻዊ-ምሕረት ኣብ ዝግበረሉ ግና፡ ንመንግስቲ ይኹን-ንዝተበደሉ ወገናት ተባሂሉ ብግፋ እተወሰደ ንብረት ኩነ/ ብገንዘብ እተኸፍለ መቕጻዕቲ፡ ንድሕሪት ኣይምለስን።

ሕገ-ምምሕዳር ቀረጽ/ ግብርን።

ንዘውደ-ዝፋን ዝፍጸሙ ኣገልግሎት መብዛሕትኡ ጊዜ ብጥረ-ገንዘብ ወይ ብቕውም-ደሞዝ ዘይኮነ፡ ከከም ዓይነት እትዋት-ግብሪ፡ ብመዓር/ጠስሚ/ዓለባ/ጥሪት-እንስሳ/ ቆረባብቲ...ወ.ዘ.ተ. እዮም ዝኽፈሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንጉስ ነቶም ጀጋኑ ዝበሎም፡ ብቁርበት ዲበላ/ነብሪ/ኣንበሳ/ እተሰርሐ ቀይሕ እድያት ባርናስ(ለምጥ)-ብሩር ኣምባ(ቢታ)-ብፖኖን ቀይሕ ቁርበትን ዝእለሙ ግላሳት -ብብሩር እተወቀጡ ጉራደ....ወ.ዘ.ተ. እውን፡ ከም ህያብ ይልግስ።

ሃጸይ፡ ብዘይካ'ዚ ህያባት፡ መሓዙት/ኣዝማድ/ሹማምንቲ/ንዘበሉ፡ ንመናበሪ ኰኑ ጸግ-ምያኦም፥ ወረዳ-ምሉእ/መሬት-ጋሻ መሬት/ ብሕልፊ ድማ ገባር ኣብ ዝበሃሉ ሃገራት ኰኑ ኣብተን ኣባላት ንግስነት-ኢትዮጵያ ዝበሃላን፡ «ጉልቲ-ዓመጽ» ወይ «ዕሽር» ዝበሃል ዋንነት ይፈቕደሎም።

ብግፋ ዝመጸ ንብረት-ኣባይቲ ኰነ-መሬት ናይቶም ንተቓውሞ ተላዒሎም ዝቕንጠጡ/ ዝእሰሩ/ዝፍረዱን መሳፍንቲ፡ ፍቓድ ሃጸይ ኰይኑ ነቶም ብእምነት ኣገልጊሎም ዝበሃሉ ምሩጻትን-ሹማምንትን፡ ከም ህያብ ክውፈየሎም ይከኣል።

ብዘይካ'ዚ ካብ ተቓወምቲ ዝግፈፍ ንብረትን/እቲ ኣቀዲሙ እተጠቕሰ ካብ *ስርዓት-መጋበኢያ* ዝኣቱ መቕጸዕትን/ ዓበይቲ-መሳፍንቲ(*ንጉስታት-መሳፍንቲ-መራሕቲ ወረዳ*) ኣብ ዝኸሪ ዓመታዊ ብዓላት ኣብ እግር-ንጉስ ዘቕርብዎ ህያባት- ብጽቡቕ ፍቓድ ንጉስ ንዝወሃቡ ሓደስቲ ሽመታት ዘሰንዩ ሞንስ- ንጉስ ብዝሓለፎ ወይ ዝዓረፈሉ መሬት ከም ወፈያ ዝቕርቡ ኣበርክቶን- ብጠቕላላኡ ኣብ ትሕዝቶ ሃጼያዊ-መዝገብ ይኣቱ።

እቲ ንደስ-ደስ ሓደስቲ ሽመት ተባሂሉ ዝቕርብ ህያባት፡ከም ጊዜ-ኩነታትን ብመሰረት ስፍሓት/ ፍርያምነት መሬት/ ደረጃ ናይቲ ዝወሃብ ሽመትን/ ይልወጥ። ሓፈሻዊ-ገምጋም ከም ዝሕብሮ ግን፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት፡ *በዓል-ቀሚሽ* 15-30 ቅርሺ-ባጤራ/ *በዓል-ነጋሪት* ድማ 300-ቅርሺ እዮም ከበርክቱ ጸኒሖም።

ነጋውስ-መሳፍንትን ዘበርክትዎ ህያባት ግና፡ ሽመት በብዝሓትትሉ እዋን እዩ ክልወጥ ጸኒሑ። መራሕቲ ናይቶም ግብሪ ዝግብሩ ንግስነታት-ዓበይቲ ወረዳን ድማ በብዓመቱ እቲ ንሶም ዘመሓድርዎ መሬት ክኸፍሎ ዝግደድ ግብሪ፡ ቀጥታ ናብ መዝገብ-ሃጼይ የረክቡ።

ሹም ወይ ጭቃ-ዓዲ፡ ግብሪ ኣዋጺኡ ንሹም-ጉልቲ የመሓላልፍ። እዚኦም ከኣ ብወ-ገኖም ካብቲ ዘመሓድርዎ ጉልቲ እተዋጽአ ግብሪ፡ ን ሹም-ነጋሪት የረክቡ።

ሹም-ዓዲ፡ ግብሪ ናይ ምእካብ ዘለዎ ተልእኮ ንምፍጻም ብ *ጸሓፊ-ተቓጸጸሪ-ኳደረ* ዝበሃሉ ሰለስተ-ተሓባበርቲ ይድገፍ። "ጸሓፊ" ዝነበሮ መዝነት፡ ቀዋሚ/ በዓል-ደሞዝን እዩ። *ኳደረ(ነባሪ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ*[2]): ብሹም-ዓዲ ተመሪጾም፡ ንሓደ-ሰሙን የገልግሉ።ምያኦም ኣይከፈሎን እዩ።ብዘይካ'ቲ ተሓባበርቲ ጭቃ-ዓዲ ኰይኖም ግብረ-መንግስቲ ናይ ምውጻእ ዝነበሮም ተልእኮ ድማ፡ ኢጋይሽ ዝዓርፍሉ ኣባይትን/ስንቂ ዘቕርቡ ሰባት ምውሳን/ ከም ፍሉይ ስራሕ፡ ኳደረ እዮም ዘማልእዎ። ሰራዊት በብዝሓለፍሉ እውን፡ ኳደረ እዮም ዝፈቕድዎም።

"ተቓጻጻሪ" ብማሕበር-ዓዲ ይስየም። እቲ ብጸሓፊ ዝምዝገብ ጸብጻብ ምቍጽጻር ኰይኑ ስራሑ ድማ፡ ደሞዝ ኣይከፈሎን።

ግብሪ ዘዋጽእ «ሹም-ጉልቲ» ኰነ ምሳኡ ዝዋፈር«ሓለቓ-ጸሓፊ»፡ ንለውጢ ጸግኦም ግብሪ ካብ ምኽፋል ነጻ እዮም። ግብሪ ንዝምልከት ጉዳይ፡ሓላፊ-ጸሓፊ ቀጥታ ብሹም-ጉልቲ እዩ ዝዋፈር። ስራሑ ድማ፡ ገባር ዝሀልዎም ሃብቲ/ነፍስ-ወከፎም ዝሓርስዎም መሬት/ ፍርያምነቱ/ ብዝሒ ዝኣተወ ምህርቲ/ ኮታስ ኩሉ'ቲ ንግዕረ ኣከፋፍላ ግብሪ ናይቶም ብኣኡ ዝመሓደሩ ዓድታት ከጸልው ዝኽእሉ ረቛሒታት ምምዝጋብ-ምጽ-ብጻብን እዩ ዝነበረ ትሕዝቶኡ።

---

[2]- ድሮ ከም እተጠቕሰ ብዘመኑ፡ ብዙሓት ዓድታት ናይ'ዚ ደሞክራስያዊ ወረዳ ኣከለ ጉዛይ «ሹም» ኣይነበሮምን። ንዓመት ወይ ካብኡ ንዝተሓተ እዋን ዝምረጹ ጊዜያውያን መራሕቲ (ሓለቓ-ዓመት) እዮም ዝነበርዎ። ኣብ ሓድ-ሓደ ዓድታት ድማ እዚ ስለ ዘይህሉ፡ ማሕበር-ዓዲ ካብ እንዳኡ ሓደ ጊዜያዊ-ነባሪ ይመርጽ።
ኣመጻጽኣ ናይ'ዚ ስም'ዚ፡ ካብ "ኣናበረ"(ኣመሓደረ) ወይ ካብ "ነበረ"(ምንባር) ምዃኑ ብርግጽ ኣይፍለጥን። እቲ ቀዳማይ ምስ ዝኸውን፡ ናይ መራሒ ትርጉም ምተዋህበ። ኣብቲ ዳሕረዋይ ድማ፡ ብምርጫ ናይ ዝስመ ጊዜያዊ-ኣመሓዳሪ ስልጣን ዝኣመስለ ትርጉም ምሓዘ።

ሕምሻ-ነጋሪት፡ ካብቲ ዘመሓድሮ ወረዳ ተኣኪቡ ኣብ መዝገብ-ሃጸይ ካብ ዘረከቦ ግብሪ ብሚኢታዊ ይኽፈል። ዝፍቀድ ሚኢታዊ፡ካብ እዋኑ ተወሲኑ'ኳ ዝመጸ እንተኾነ፡ ከከም ፍታው-ንጉስ ይልውጥ።

ግብሪ ኣብ ምስግዳድ፡ ሹም-ነጋሪት ከም ሃጸያዊ-ወኪል፡ ምስለኔ እውን ይብሃል እዩ።

እዚ ሽመት'ዚ፡ ንሓድ-ሓደ ዓበይቲ-ጉልታት ብምምሕዳር ንዘዋጽእዎ ግብሪ፡ ብቀጥታ ናብ መዝገብ-ንጉስ ናይ ምርካብ ብያን ዝነበሮም ሹማምንቲ እውን ይወሃቦም ነይሩ እዩ።

እተፈላለዩ ጉልቲ-ዓድታትን፡ ባህርያዊ-መራሒኦም "ምስለኔ" ተባሂሉ ክስየም፡ ደለይቲ እዮም ዝነበሩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ዞብኣዊ-ኩነታት ብግዝኦ ካብ ዘይምፍላጥ እተበገሰ ይኹን/ኮነይሉ ብተንኮል ካብ ዝፍጸም ጭኮና-ዓመጽ ንምግልጋል-ሓራ ምውጻእን፡ ወገኖም ክኸውን እዩ ዝነበረ ዕላማኦም። ብግብሪ ድማ፡ ብሕልፊ ከም'ዚ ኣብ ናይ መወዳእታ እዋናት ዘጋጠመ፡ ዞብኣውያን-መራሕቲ ተቐንጢጦም ዞብኣዊ-ምምሕዳር ንሹም-ነጋሪት ምስ ተመሓላለፈ(ምስለኔ እውን ስለ ዝበሃሉን)፡ ንገባር ካብቲ ብሕጊ እተወሰነሉ ግብሪ ንላዕሊ፡ ብሓይሊ ምስግዳድ እውን ኣጋጢሙ እዩ።

እዚ ሓድሓደ ጊዜ ርብሕ ዝበለ ግብሪ ኣቕሪብካ፡ ፍታው-ንጉስ ምኽሳብ ተባሂሉ ዝፍጸም ዝረፋ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ንውልቃዊ ጥቕሚ-ረብሓን "ሹም-ነጋሪት" እዩ ዝውዕል ዝነበረ።

እቲ ኣብ መጀመርያ ናይ ወፈያ-መልክዕ ሒዙ ዝጸንሐ መሬት-ማሕረስ ክኸፍሎ ዝጸንሐ ግብሪ፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ወረዳ ናይቲ ንግስነት፡ ቅውም-ስሩዕን መልክዕ ክሕዝ ዝጀመረ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ሃጸይ ዳግማይ-ኢያሱ ምኽኑ ይፍለጥ።

እዚ ልክዕ ትሕዝቶኡ ብሓቂ ዘይፍለጥ፡ ብባህሊ-ዝናኡን ግና ውሩይ ዝኾነ ኣዋጅ እዩ እውን፡ ምስሕሓብ ኣብ ዝርከበሉ እዋናት፡ እቲት ዝበሃለሉ መምርሒ ዝነበረ።

ከም ዝመስሎ፡«ሃጸይ ዳግማይ-ኢያሱ» ግብሪ ንምስራዕ፡ እዚ ዝኽተል ኣገባብ እዩ ተጠቒሙ፡

> 1)-ነፍስ ወከፍ ብኢዱ ተጠቒሙ መሬት ዝሓርስ ሓረስታይ ዝኸፍሎ ግብሪ ፍርቂ-ቅርሺ ይሕተት።
>
> 2)-ኣብዑር ተጠቒሙ ዝሓርስ ሓረስታይ ክኸፍሎ ዝግባእ ግብሪ በቕራሽ፡ ከንድ-ቍጽሪ ናይቶም ዝጸመዶም ኣብዑር ይግመት።
>
> 3)-እቲ ኣብ ቀዳማይ-ዓመት ብከምዚ ኣገባብ እተረኽበ ጠቕላሊ እትዋት፡ ንሓዋሩ ቅውም ኮይኑ የገልግል። ነዚ ግን፡ ብእዋን ባህርያውያን-ሓደጋታት ኮነ/ብናይ ኩናት-ምኽንያት፡ ብቲ ሃጸይ ንምሉእ ይኹን ንከፊል ዝምልከት ሕድገት ይግበረሉ።

ከም ዝበሃሎ፡ ብዘመን ሃጸይ ዳግማይ-ኢያሱ፡ነፍስ-ወከፍ ሹም-ጉልቲ ግብሪ ንዝምልከት ጉዳያት፡ «ምስለኔ» ዝኣመሰለ ሽመት እውን ይወሃቦ ነበረ።

ውጽኢት ግብሪ ንምቅላል ድማ እቲ ሃጸይ በብዓመቱ «ሕዱግ» እተባህለ ወኪሉ ናብቲ ወረዳታት ይልእኽ ነበረ። ነዚኦም እዮም ድማ መራሕቲ-ጉልቲ ንንጉስ ተባሂሉ ዝዋጻእ ግብርን/ ንዓኦም ድማ ህያብ ተባሂሉ ካብ ነፍስ ወከፍ ዓዲ ናይቲ ጉልቲ ሓደ-ገበታ[3] መሸላን/ ሓደ-ቃርና(ፈረቓ-ፈርጊ) ዓለባ-ጡጥ የረክቡ ነበሩ።

«መራሕ-ጉልቲ» ካብ ዝኣከቦ ግብሪ 5% ንዓኡ ክስልዕ ይፍቀዶ ነበረ። ብዝኾነ ግና እዚ ኣገባብ'ዚ ብ ነጀው መረብ/ምላሽ ኣብ ግብሪ ዝወዓለሉ እዋናት ኣይዝከርን።

ከሳብ'ቲ ራእሲ ሚካኤል-ስሑል ዕብላለኡ ዘረጋገጸሉ እዋናት፡ ግብሪ ክበሃል እንከሎ፡ ን «እንዳ-ጸዓዚጋ» እዩ ዝኽፈል ዝነበረ።

---

[3]- ኣብ መረብ/ምላሽ ብዛዕባ ዝውተረት ዝበሃሉ ስፍረ-ዓቕናትን፡ ኣብ መወዳእታ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ምልክታ ቍ.2 ተመልከት።

ካብ ዘመነ-መሳፍንቲ ንደሓር ኣብ ዘሎ እዋናት እዩ ብወታሃደራዊ-ኣስገዳድ፡ ዋላ'ውን እቶም ከም ኣከለ-ጉዛይ/ ቦጎስ፡ ካልኦት ዝቢሮም ዘይፈልጡ ወረዳታት፡ ግብሪ ምኽፋል ተገዲዶም።

ካብ ሰራዊት ትግራይ ወይ ኣምሓራ ክከም ዝዓብለለ፡ ሓደ ሹም-ነጋሪት፡ ካብ ምሉእ መረብ/ምላሽ እተዋጽአ ግብሪ ንምርካብ(ምስትላም) ተወኪሉ ን «እንዳ'ባ መጣዕ» ይመጽእ ነበረ። ሹም-ጉልቲ እዮም ድማ፡ እተዋጽአ ግብርን/ ንዓኡ ዝኸውን ድማ ኣቐዲሙ ባዕሉ (ሹም-ነጋሪት) ዝሕብሮ ህያባትን ሒዞም ዝቐርቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሹም-ነጋሪት ንመረብ/ምላሽ ክንዓዝ እንከሎ፡ ብዙሓት ዓሳከር(ኢጋር-ሰራዊት)-ፈረሰኛታት(ፈረሰይና) ዓጂቡ ስለ ዝመጽእ፡ ፈሰስ ዝበሃል ግብሪ እውን የስገድድ።

"ፈሰስ"፥ ከም ስሙ ጥፉእ-ንብረት ማለት ስለ ዝኾነ፡ ትርጉሙ ዘይስሓተ ቃል እዩ።

ነዚ ብመሸላ ይኹን/ጣፍ/ስገም/መዓር/ጠለ-ሀጊዕ/ኣብዑር/ ንዓኡን-ዓጀብቱን ዝቐርብ ምግቢ ኮነ/ ሳዕሪ ማዕሪ-ሰንዕ ቀለብ ኣፍራስ ዝውስን፡ ባዕሉ ሹም-ነጋሪት እዩ።

ክሳብ'ቲ ንሕና(ኢጣልያ) ክበሳ ዝኣተናሉ እዋናት፡ "ፈሰስ" ማለት፡ ብሓፈሻኡ መር-ገም ምሉእ መረብ/ምላሽ- ብፍላይ ድማ መርገም ናይቶም ሰራዊት ኣምሓራ-ትግራይ ዝዓረድዎም ተካላት ዓድታት እዩ ዝነበረ።

ካብዚ መዓት'ዚ ድማ፡ እግዚኣብሄር ይምሓር...እዩ ዝበሃል ነይሩ።

ሹም-ነጋሪት፡ «እንዳ'ባ መጣዕ» ብዝኣተወ፡ ትእዛዝ-ግብሪ ዘብጽሑ ፈረሰኛታት ሓደ ናብ ነፍስ-ወከፍ ጉልቲ ብወታሃደራት ዓጂቡ ይልእኽ። ሓድሓደ እዋን ድማ፡ ሓደ-ፈረሰኛ ናብ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ይልእኽ። እዚ ድማ፡ ኑቶም ንባዕሎም ጽጉማት ዝኾኑ ቁሸታት ካልኣይ-ድግሲ እዩ ዝነበረ። ከመይሲ፡ ብዘይካ ፈሰስ፡ ንዓኦም ነሆም ልኡኻት ንብሕቲ ዝኸውን ገንዘብ/ጥሪት እውን ስለ ዝግደዱ።

ኣብቲ ናይ ሰላም ምምሕዳር ዝነበረሉ እዋናት፡ እቶም ግብሪ ንምውጻእ ዝለኣኹ ምስለኔ ዘወትርዎ ጭኮና/ያዕያዕ/ሕሉፍ-ጠለብ/ኣስገዳድ...ወ.ዘ.ተ.፡ብቀዳምነት ናብ ብላታ'ንጊታ/ ዕድል ተረኺቡ ድማ፡ ናብ ንጉስ ኣቤት ይበሃሎ ነበረ።

ግብሪ ዘስገድድ ግን ኣብ ናይ ንጉስ-ግምቢ ጽቡቕ ተቐባልነት ዘለዎን/ ሰብ-ኣቤቱታ ድማ ርቡሕ-ህያባት ሒዞም ምስ ዘይቀርቡን፡ መኸን ኣቤቱታ ኮይኑ ምንጻጉ ዘይተርፎ እዩ ነይሩ።

ብጽቡቕ-መንፈስ እተበገሱ ነገስታት ግን፡ ን «ምስለኔታቶም» ብዝኣክል ይቆጻጸሩን/ ሓበረታ ይሓቱሎም ነበሩ። ውጽኢት ናይ'ቲ መሕትት ድማ ኣሉታዊ-እንጻር ምስለኔ ኮይኑ ኣብ ዝቐርበሉ፡ ብጽኑዕ ይቕጽዑ፡

ቀረጽ/ተን/ቅርጻት-ዕዳጋ/ኣገልግሎት-ህያባትን።

ቃፍላያት፡ ቀረጽ ወይ ተን ክፈሉም ዝሰግርሉ መንገድታት፡ እተወሰኑ-ፍሉጣትን እዮም ዝነበሩ። ብዘይካ'ዚኦም ብካልእ መንገድታት ምስጋር(ምሕላፍ) እተኸልከለ ኮይኑ፡ ነዚ ዝጠሓሰ፡ ንብረት ናይ ምግፋፍ መቕጻዕቲ ይኽተሎ ነበረ። ከምዚ'ሎም ድማ ካብ ውሽጢ መሬት-ዓድ ሓበሻ ካብ ዓድዋ ንባጽዕ ዘምርሑ ቃፍላያት፡ መንገዲ ዓድ-ኺላ/ መናዕ'ላ/ ኩዶፈላሲ/ ድባርዋ/ ኣስመራ/ ዓርበረቡዕ/ ጊንዳዕ/ ጸዓቲ/ ክኸተሉ ይግደዱ።

ቀረጽ፡ ሹም-ቃፍላይ ንእተባህለ ሹመኛ ኣብ ኣስመራ እዩ ዝኸፈል ዝነበረ። ንሹም-ቃፍላይ ተባሂሉ ድማ፡ ደርሆ[4] እተባህለ ህያብ ፍላይ ይውሰን።

እዚ ሹም'ዚ ዝነበሮ ተልእኮ፡ ኣብ ናይ ምኽድ መንገዲ ፍቕዲ ናይቶም ኣብ ነፍስ-ወከፍ ቃፍላይ ዝህልው እንስሳ-መጽዓኛ ምምዝጋብ እዩ ነይሩ ትሕዝቶኡ። ዕላማኡ

---

[4]- ደርሆ ክበሃል እንከሎ፡ ዋንጫታት/ኩርማ/ቡን/ዝባድ...ወዘተ ማለት ክፋል ካብቲ ቃፍላ-ያት ዝህልዎም ጽዕነት እዩ ነይሩ ትሕዝቶኡ።

ድማ ኣብ እግረ-መልሲ ኣቕሑ(ሃለኹቲ) ዝጸዓኑ እንስሳ ብኻልእ መንገዲ ከይሓልፉ፡ ቁጫመ (ኮንትራባንዶ) ምቍጽጻር እዩ ዝነበረ።

ኣብ መንገዲ መልሰም እንደገና ፍቕዲ እንስሳ-መጽዓኛ ይድገም'ሞ፡ብዛዕባ'ቶም ኣይ-ህልዋትን ዝበሃሉ፡ መራሕ-ቃፍላይ ይሕተት።

ብድሕር'ዚ፡ ነፍስ-ወከፍ እንስሳ ጽዕነቱ ብዘየገድስ፡ 3 ቅርሺ-ቀረጽ ንሹም-ቃፍላይ ከፊሉ ኩሓልፍ ይፍቀዶ።

ብቕድሚ ራእሲ ሚካኤል-ሰሑል ኣብ ዘለዉ እዋናት፡ ኑቲ ካብ ትግራይ ዝኣቱ ሃለኹቲ-ነገር ዝቆጻጸር በሪ(ቀረጽ ዝኸፈሉ ነቕጣ=ዶጋና)፡ኣብ ዓድ-ኺላ እውን ነይሩ ይበሃል። እቲ ኣብዚ በር'ዚ ክገልግል ዝጸንሐ ኣገባብ ግን፡ ምፍላጥ ኣይከኣልን። ብዝኾነ ግን እቲ ብምልኡ ን«መኰንናዊ እንዳ-ጸዓዚጋ» ዝኸፈል ዝነበረ እትዋት ቀረጽ በረ-ኣስመራ/ዓድ-ኺላን ካብቲ ኣብ ውልቀ-በሪ ዓድዋ ክኸፈል ዝጸንሐ ቀረጽ፡ኣዝዩ ለጠቕ ዝበለ ምንባሩ ይፍለጥ።

እትዋት ናይ'ዚ ዳሕረዋይ-በሪ፡ ንራእሲ-ትግራይ እዩ ዝኸፈል ነይሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ካልእ ካብ ዓድ-ሓበሻ ንባጽዕ ዘምርሕ መስመር፡ እቲ ካብ ዓድዋ ብዓድግራት ኣቢሉ/ድግሳ/ዒላታት ውዓ ሓሊፉ ንባጽዕ ይኣቱ ዝነበረ እዩ። ቀረጽ፡ ኣብ ድግሳ ይኽፈል ነበረ። እቶቱ ግና ብምልኡ ኣብ ጥቕሚ ህዝቢ ኣከለ-ጉዛይ እዩ ዝውዕል ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ ከምቲ ኣብ ካልእ ክፍሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ እተጠቕሰ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ ሓራ እዩ ዝነበረ።

ንጉስ-ተድሮስ እዩ ነዚ መስመር ዓጺዩ፡ ዝኾነ ካብ/ናብ ባጽዕ ዝንዓዝ ንግዲ፡ ፍላይ በቲ ቀዳማይ እተጠቕሰ መስመር ክቃናዕ ኣዚዙ።

ቅድም'ቲ 10ዓመት ዝጸንሐ መግዛእቲ-ትግራይ/ምምሕዳር-ኣሉላን ዝኣተውሉ እዋናት፡ ብዘይካ'ቲ እተጠቕሰ ኣብ ንግዳዊ-በረታት ዝኸፈል ቀረጽ፡ ኣብ ምሉእ መረብ/ምላሽ ካልእ ናይ ንግዲ-ግብሪ ኣይከፈልን ዝነበረ። ዕዳጋታት ነጻ ኰይኖም፡ እበየ-ቦታኡ ይዝርግሑ። እቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ግና፡ ዕዳጋታት ጸዓዚጋ/ኩዶፈላሲ/ዕዳጋ ሓሙስ-እዮም ዝነበሩ።

ከብቲ/ ጠለ-በጊዕ ንዝምልከት፡ ዕዳጋ ጸዓዛጋ እዩ ዋና ዝነበረ። ኩዶፈላሲ፡ ንጥረ-ምረ እኽልን -ዕዳጋ ሓሙስ ድማ ንኣፍራስ ኣድጊ/በቕልን እዮም ውሩያት ዝነበሩ።

ዕዳጋ-ጸዓዚጋ፡ ቀዳም እዩ ዝውዕል ነይሩ፡ ኩዶፈላሲ ሰሉስ፡ ዕዳጋ-ሓሙስ ድማ ከም ስሙ ሓሙስ እዮም ንግዲ ዘዋፍሩ።

ራእሲ-ኣሉላ ብዝመጸ፡ ኩሎም ዕዳጋታት ፈሪሶም፡ ብመዓልቲ ሓሙስ ዝውዕል ሓደ-ዕዳጋ ንበይኑ ኣብ ኣስመራ ተጠቕለለ። ኣብዚ ድማ ከምቲ ብባህሪኡ ዝፍለጥ፡ ሓደ ሹም-ዕዳጋ እተባህለ ትግራዋይ፡ ዕዳጋ ንምቍጽጻር ኣብቲ ሰፈር ተመደበ።

ንነፍስ-ወከፍ ርቡሕ ጥሪት(ላም-ብዕራይ-ፈረስ-በቕሊ-ኣድጊ) ዝውሰን ዋጋ፡ ዓዳጊ ኰነ ሸያጢ ንፍርቂ ዝጸወርዎ "ምዕሮ-መሸላ" ን ሹም-ዕዳጋ ይኸፈሉ። ጨው ንዝምልከት ድማ፡ ነፍስ-ወከፍ ነጋዳይ ንዝሸጦ ሓደ ጽዕነት-በቕሊ፡ ከምኡ "ምዕሮ-መሸላ" ይኸፍል። ቆጽሊ-ትምባኾ፡ ስዒቡ ድኣ ብሃጸይ-ዮሃንስ ተወጊዱ'ምበር፡ እዚ ንግድ'ዚ እውን ንኣስ-ቀረጽ ይኸፈሎ ነይሩ እዩ።

ዝኾነ ካልእ ሃላኺ-ነገር፡ ቀረጽ ኣይከፍልን። ዋጋ ናይቶም ኣብ ዕዳጋ ዝሸየጡ እንስሳ ኰነ/ጥረ-ነገር ድማ፡ ብነጻ ውዕል ዓዳጊ/ሸያጢ እምበር፡ ብዝኾነ መንግስታዊ-ትካል ኣይውሰንን።

ብዘይካ'ቶም ክሳብ ሕጂ ዘንነፉና ጾር ናይ እተፈላለዩ ዓይነት ግብሪ፡ ህዝቢ-ኢትዮጵያ ክንክን/ሓለዋ/ጽርየት/ ናይ'ቶም ንጉስ በብወረዳእም ዝሓልፈሉ መንገድታት(ስለ'ዚ እውን «መንገዲ-ንጉስ» ዝበሃሉ) ምክንኻን፡ ግዱዳት እዮም ዝነበሩ።

እዚ መንገድታት'ዚ(ጽርግያ)፡ ካብ ነዊሕ-እዋን ሰውጢ ከይተገብረሉ ከምኡይሉ እዩ ተሪፉ ዝነበረ። ሓደ ካብኣቶም ድማ፡ እቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ናይ ንግድ-መስመር

ዓድዋ-ባጽዕ እዩ። ነፍስ-ወከፍ ዓዲ፡ ክፋል ናይቲ ብመሬቱ ዝሓልፍ ጽርግያ ብጥንቃቐ ክዕቅብ ግዱድ እዩ ዝነበረ።

ካልእ ናይ ዕዮ ኣገልግሎት ወይ ወፈራ፡ ህዝባዊ-ጥቕሚ ንዘለዎም ህንጻታት(ኣብያተ-ክርስትያን/ ኣባይቲ-መናበሪ መራሕትን ዝኣመሰሉ) ብትእዛዝ ክሕተቱ ይከኣል።

እቲ ምሉእ ሓማሴን ክሳተፎ እተገደደ ህንጻ ኣባይቲ ራእሲ ኣሉላ ኣብ ኣስመራ፡ብከምዚ እዩ ተሃኒጹ።

ብዛዕባ«ፈሰስ» ብሰፊሑ ተዘትዩም እዩ። ብዘይካ'ዚ ድማ፡ ደቀ'ባት ይኹኑ/ባዕዳውያን መንገደይናታት ብንጉሳዊ ተልእኮ ይኹን/ ንሓለዋ ንጉስ ብዝሓልፍሉ ጊዜ፡ እንግዶት ይኹን ኣድላይ ዝበሃል ምድላው፡ ግዴታ ዓድታት እዩ ዝነበረ። እዚ'ውን፡ ብነጻ ዝወሃብ ኣገልግሎት ኮይኑ፡ ግብሪ ካብ ምኽፋል ኣየናግፍን።

መሬት " ደሚናለ "።

ብዛዕባ ማሕበራዊ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ ኣብ ዝጠቐስናሉ፡ ዋንነት-መሬት ናይ ሓባር ኮይኑ ብንጉስ ይውከል ዝብል ኣምር ተገንዚብና ጸኒሕና። ንጉስ እዩ ድማ ብስላሕታ ወይ ብግሁድ፡ ንውልቀ-ሰብ ይኹን/ደቃ-ደቂ(ነገድ)/ዓዲ ወይ ማሕበረ ኮም/ ክከም ግድነቱ ንውሱን ጊዜ ይኹን -ብቀዋሚ፡ መሬት ዝፈቕድ።

ኣብቲ ንደቃ/ደቂ ወይ ማሕበረ-ኮም(ዓዲ) ዝምልከት መሬት፡ ንጉስ ዝህልዎ ቀዳምነት ዘረጋግጽ እቲ ከም «ዕሹር» ወይ «ዓመጽ» ተባሂሉ ዝውሰን ክፋል-መሬት ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ኣተዓዳድላ መሬት፡ ንጉስ ዝህልዎ ጸብለልትነት ድማ ብ «ግብረ-መንግስቲ» ይረጋገጽ። ስለ'ዚ ኣምር'ዚ እውን ቃድራ ኮኑ ብጉልቲ ዘይተማስሉ መሬት፡ ብምሉእ መሰል ዋንነት መንግስቲ ብምኧኖም፡ ንጉስ ክጥቀመሉም ወይ ንጥቕሚ ከኣርዩም ይፍቀድ። እዚ መሬት'ዚ እዩ ድማ " ደሚናለ " ዝበሃል።

ብዙሓት ካብ ክበሳ ወጻኢ ዝኾኑ ብምብራቕ/ምዕራብን ዝርከቡ መሬት፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ይርከቡ። ኣብዚ ከም *መትረ* ወይ *ባሕሪ/ጸንዓደግለ/ዓጋመታ/ቆላ/በረኻ....* ወ.ዘ.ተ. ዝፍለጡ መሬት፡ ብቐውም ዝነብር ህዝቢ ኮነ/ እተሃንጹ ኣባይቲ ኣይ-ርከቡን። ኣድላይ ላብ ዝኾነ እዋን፡ ንመንሰ ይኹን ንማሕረስ ናብዚ ቦታ ንዘሳግሙ ሓረስቶት-ጓሶትን መዐንገሊ ዝኸውን፡ ቁሸት/ደምበ እተባህሉ ንጊዜኡ ዘናብሩ ቦታ እዮም ፍላይ ዝህንጹ።

ኣብ'ዚ መሬት'ዚ፡ ከም መሸላ/ጡጥ ዝኣመሰሉ ምህርቲ ብሕልፊ ይፈርዩ። እዚ ዘርእ'ዚ ድማ፡ ብዘይካ ካብ ጽልማ ንታሕቲ ንመረብ ገጽካ፡ ኣብ ክበሳ ኣይፈርን።

እቲ ብምብራቓዊ-ወገን ዝርከብ መሬት(*መትረ* -ባሕሪ -ጸንዓደግለ) ብእዋን ኣኽራማት ገማግም ባሕሪ -እዋናት ሓጋይ ክበሳን፡ ድርብ ዝናም ስለ ዝረክብ፡ ክልተ-እቶት ንዓመት የእቱ። ስለ'ዚ'ውን ብሉጽ መሬት ይበሃል።

ኣብ መብዛሕትኡ ቦታ ናይዚ ምድርታት'ዚ፡ ምምሳሕ-መሬት ንዝምልከት ጉዳይ፡ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ «መሰል-ቀዳምነት» ኣሎ። ብመሰረት ናይዚ ድማ፡ እቲ መሬት ከም ፍቕዲ ናይ'ቶም ኣብ ክበሳ ዝነብሩ *ደቃ/ደቂ* ወይ *ነገድ*ሕብ ብዙሓት ዞባ ይከፋፈል። ነፍስ-ወከፎም ድማ እዚ ካብ ዘይበሃሎ እዋን ኣትሒዙ፡ ዞባኡ ይሓርስን/ቆሎ-መሬት (ክራይ) ንንጉስ ወይ ንወኪሊኡ ይኸፍል ነበረ።

እቲ ኣብ መሬት-ባሕሪ ዝካየድ ሕርሻ ዝኸፍሎ "ቆሎ-መሬት"፡ ብፍቓድ ንጉስ ን «ደብረ-ቢዘን» እዩ ዝኣቱ።

ደቃ/ደቂ(ወይ ነገድ) ናይ ቀዳምነት-መሰል ሃልዩዎም፡ብምሉኡ ሓረሶም ቆሎ-መሬት ኣብ ዝኸፍልሉ ዞባታት፡ ማንም ካልእ ሰብ ክሓርስ ኣይፍቀድን። እቲ መሬት ግን ልማም ኮይኑ ተረፉ ቆሎ-መሬት እውን ምስ ዘይከፈሉ፡ እቲ ቦታ፡ ንዝኾነ ካልእ ሰብ ባዕዳዊ እውን እንተኾነ ክፍቀድ ይከኣል።

ነፍስ-ወከፍ ኣብ ሓማሴን ዝርከብ ጉልቲ፡ ኣብቲ *መትረ* ወይ *ባሕሪ* ዝበሃል ምድሪ ብቀዳምነት ዝውንኖም መሬት ይርከብዎ።

እቶም ብወገን ሰሜናዊ-ምብራቕ ከበሳ/ሰምሃርን ዘሳገሙ ቀቢላታት፣ ምህርቲ-ማሕረስ ምስ ኣተወ እዮም መጓስ ዝፍቀዶም። እቲ ኣብ ምብራቓ ከበሳ ብሓደ-ወገኑ ከሳብ ከባብታት ጺገ/ በቲ ሓደ ድማ ክሳብ'ቶም ኣብ ከባቢ ሕርጊጎ ተተኺሎም ዝርከቡ ክልተ ፍሉጣት-ንጹራት ኣዕኑድ ዝርከብ መሬት፣ እዋኑ ካብ ዘይፍለጥ ዋንቲ፣ ዋንነት ኣከለ ጉዛይ እዩ። ኣብዚ'ውን ካብ ክፍለ-ዘመናት ዝጸንሐ፣ ነፍስ-ወከፍ ጉልቲ ኣከለ-ጉዛይ ናይ ማሕረስ መሰሉ እተሓለወ እዩ። ኣብዚ "ጸንዓደግለ" ተባሂሉ፣ ሰንሰለት-ኣኽራናት "ዓጋመታ" እውን ዘጠቓልል መሬት፣ ቶርዓ/ ዓሳውርታን ናይ መጓሰ መሰል እዩ ጥራሕ ዝፍቀዶም። እዚ'ውን ንከራይ። ብፍቓድ ሹም-ጉልቲ ግን መሬት ኣብ ዝሓርስሉ፣ ምስቲ ናይ ማሕረስ መሰል ዘለዎ ጉልቲ ሓቢሮም ምቅሊት ግብረ-መሬቶም ይኸፍሉ።

"ቶርዓ"፣ መሬት ኣይውንኑን፣ ኣይወነኑን ድማ። "ዓሳውርታ" ግን ዝውንንዎ መሬት ሃልይዎም፣ ብተመሳሳሊ ውዕል-ኩነትን፣ ንህዝብታት ኣከለ-ጉዛይ(ብሕልፊ ድማ ንህዝብታት ሰለስተ ወደ'ከለ/ደ'ጉዛይን)ኣብ እዋን ኣኽራማት እቲ ኣብ ከባቢ "ዲያት" ዝርከብ መሬት ክሓርሱ ይፈቕዱሎም።

እቲ ብሰሜናዊ-ምዕራብ ከበሳ (ማለት ኣብ ከባቢ እተፈላለዩ ምንጭታት ፈለግ-ባርካ) ብሓፈሻኡ ከም በረኻ ዝፍለጥ መሬታት እውን፣ ተመሳሳሊ እዩ ኩነታቱ። ኣድላይ ኣብ ዝበሃል እዋናት፣ ህዝቢ-ከበሳ ይሓርሰም፣ ኣብ ካልእ እዋናት ድማ ብንዓምር-ጣዋስ ይጓስይሉ። ኣብዚ መሬት'ዚ ብዘይካ መሸላ፣ ዘራእቲ-ጡጥ እውን ብርኩት እዩ። ክሳብ እውን ብተፈጥሮ ባዕሉ ይበቍል።

ኣብዚ መሬት'ዚ ግን፣ ንጉስ ኰነ ወካሊኡ ብዘይካ'ቲ ጉልቲ ኣብ መሬቱ ዝኸፍሎ ግብሪ ካልእ ዝኾነ ዓይነት ቆሎ-መሬት ዝኽፈሎ ኣይመስልን።

ወታሃደራዊ ኣገልግሎት።

ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ንዝምልከት፣ ንጉስ፣ ብዘይካ'ቶም ንሱን ዓበይቲ ተማእዘዝቱን ዝናብይዎም ንቀዋሚ ኣገልግሎት ዝምደቡ ሰራዊት፣ ብ "ክተት" ዝውደብ ኣገልግሎት ሓፋሽ እውን ክጥቀም ይኽእል።

ናይ ክተት ትእዛዝ፣ ብንጉስ ወይ ንሱ ብዝወከሎ ሹም-ነጋሪት ይእወጅ። እቲ ኣዋጅ ቀጥታ በቲ ኣብ ከበቢታት ዝርከብ ንጉስ ዝመጸ ምስ ዝኸውን፣ ብሓደ ብላታ'ንጊታን ንዓኡ ዘሰኒ ሻለቃን፣ ኣብ ዕዳጋ ይንበብ። ሓላፍነት ናይቲ ትእዛዝ ግን ንሹም-ነጋሪት ምስ ዝወሃብ፣ ብላታ'ንጊታ ብሓደ ሻለቃ ናይቲ ሹም-ነጋሪት ተሰንዩ፣ ኣብቲ ዝርከብሉ ዕዳጋ ናይ ክተት ኣዋጅ ይእውጁ።

ስለ'ዚ ድማ ናይ ክተት-ኣዋጅ፣ ሓፈሻዊ-ንምሉእ ንግስነት/ ወይ ከፈላዊ፣ ንእውራጃ-ወረዳን ዝምልከት ክኸውን ይኽእል።

ህዝቢ ተኣኪቡ ናይ ክተት-ኣዋጅ መታን ክንበብ፣ብላታ'ንጊታ ነጋሪት የህርም። ኣብዚ ኢጋጣም'ዚ ዝህረም ናይ ኩናት-ከበሮ፣ ሰለስተ ልምሉም ድምጺ/ሓደ ተራር/ ዕረፍቲ/ ....እናተባራረየ ህዝቢ ክሳብ ዝእከብ ብቀጻሊ ይህረም።

ኣብ ዓድ-ሓበሻ፣ እዚ ድምጽ'ዚ ዘቤታዊ እዩ።

እቲ እኩብ ኣኽሊ ኰይኑ ምስ ረኸበ ድማ፣ ብላታ'ንጊታ ነጋሪት ኣዕሪፉ ኣዋጅ የን-ብብ። ኣብ መወዳእታ ድማ ዘረባኡ እንኪፍጽም፥ «..ቃል ንጉስ እምበር፣ ቃለይ ኣይኮነን» እናበለ ኣዋጁ ይድምድም። ብእንበኡ ድማ እቲ ጻውዒት ሓፈሻዊ ምስ ዝኸውን፣ ፈረሰኛ ተላኢኾ ኣብ ቀረባ ከባቢ ዝርከቡ ሹም-ነጋሪት ይንገሩ። እዚኦም ድማ ብግደኦም ንካልእ ሹም-ነጋሪት ኰነ/ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ሹም-ጉልቲ፣ ትእዛዝ የመሓላልፉ። ሹም-ጉልቲ ብወገኖም ኣብ ምምሕዳሮም ንዝርከቡ ሹም ወይ ጭቃ-ዓዲ ልኡኽ ይልእኩ።

እዚ ሰፊሕ ምጥርናፍ-ምውዳብን እናተኻየደ፣ ነጋሪት ለይትን-መዓልትን ከየቋረጸ ኣብቲ ንጉስ/ ምክትላቱን ዝርከቡሉ ቦታ፣ ድምጹ ይቕጽል።

ኣገባብ ምጥርናፍ ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ፤ ጭቃ-ዓዲ፣ ብረት ምልዓል ብቑዓት ዝበሎም ደቅ-ዓዲ ጠርኒፉ፣ ናብ ሹም-ጉልቲ ይጽምበር። ሹም-ጉልቲ ብወገኑ ኣብ ጉልቲ ኣለው ዝበሎም ብቑዓት ኣኪቡ ናብ ሹም-ነጋሪት የቕርቦም።

ከምዚ'ሉ እተጠርነፈ ሰልፊ ብቶም ቅውማት ዝበሃሉ ሰራዊት ሹም-ነጋሪት ተወዲቡ፣ ናብቲ ሹም-ነጋሪት እተመደበሉ ፍሉይ ዕዮ ይምደብ ወይ ድማ ኣብቲ ንጉስ ዝጽውዖ ጠቕላሊ ናይ እኽባ-ቦታ ይእከብ።

ናይ ክተት መሳርዓት፣ መምስ ብረቶም ክቐርቡ ይግባእ። ሰብ ጠበንጃ ምስ ጠበንጃኦም ኩይኑ ተሪፉ ድማ፣ማንም ነብሱ ዝፈቐደ ሓበሻ ዘይሰኣኖ ጭማራ-ጉራደ-ዋልታ ዓጢ-ቖም ይቐርቡ። ብዘይካ'ዚ፣ ነፍስ-ወከፍ ኪታቲ ንፍቕዲ ናይቶም ኣብ ኣዋጅ እተወሰኑ መዓልታት ዝኣክል ስንቂ ክማላእ ይግባእ። ብዝኾነ ግና እቲ ጊዜ ካብ 30-መዓልቲ ክዛይድ ኣይክእልን።
ፈረስ-ኣድጊ-በቕሊ ዝኣመሰሉ እንስሳ-መጽዓኛ ዝውንን ሰብ ድማ ኣብቲ መደብ-ዕዮ ክሳትፎም ይግደድ።

ካህናት/ሽማግለ/መናእሰይ/ሕሙማት/ሓደ-ዓመት ዘይመልአ መንደላይ (ማለት መን-ደላይ ዘብሉ ስርዓት ካብ ዝፈጸመሉ ግና ዓመቱ ዘይመልአ)/ እዮም ካብ ናይ ክተት ትእዛዝ ነጻ ዝበሃሉ። ኩይኑ ግን፣ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ናይ ኩናት ባህሪ ምስ መንፈሳዊ-ስምዒት ኣጸቢቑ ስለ ዝወሃሃድ፣ ብሕጊ ዘይሕተቱ ክንሶም መንእሰያት ዝኾኑ ካህናት እውን ከይተረፉ ኣብ ክተት ይሰለፉ።

ብዘይብቑዕ ምኽንያት ኣብ ናይ "ክተት" ወፈራ ዘይተሳተፈ ዜጋ፣ 2-ቅርሺ እዩ ነይሩ መቕጻዕቱ። ጥዑይ ክነሱ ግን ኣብዚ ጻውዒት ዝሓንገደ፣ ካብ 5 ክሳብ 10-ቅርሺ ብትእዛዝ ንጉስ ይቕጻዕ። እዚ ባህል'ዚ እዩ ድማ ንወታሃደራዊ-ባህሪ ናይዚ ህዝብ'ዚ ዘመስከር። ብዝሒ ናይቲ ኣብ ክተት ዝወፍር ህዝቢ ተመልኪትካ፣ እዚ ውሑድ ዝኾነ መቕጻዕቲ ስለ ዘፍረሐ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል እዩ።

ናይ "ክተት" ምጥርናፍ

ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ
ብመንጸር ውሽጣዊ-ምምሕዳር መረብ/ምላሽ።

ኣብ ምድረ-ባሕሪ ከም ታሪኻዊ-ዝኽረ እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ ህልዊ ማሕበራዊ-ናብራ ትርጉም ዘይጸንሖ ሓፈሻዊ-መስመራት ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ ተገንዚብና ጸኒሕና። ብውሑዱ፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ እዋናት።

ኣብ ዝሓለፈ ኣርእስትታት፡ ባጽዕ ኰነ ገማግም-ባሕሪ መዓስ/ ብከመይን፡ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ፖሊቲካዊ ምውህሃድ ከም እተነጸሉ ተጠቒሱ ነይሩ።

ብድሕረኡ ድማ፡ሓባብ/ህዝብታት ከባቢ-ከረን/መንሳዕ/ኣብ ትሕቲ ካልእ ምምሕዳር-ሕግታትን ከም ዝሰገሩ እውን ተገሊጹ እዩ።

ስለ'ዚ እውን ማሕበራዊ-ህይወቱ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ተመሳዚኑ፡ ብቑዕ ሓበረታ ክቕርበልና ዝኽእል ወገን፡ «መረብ/ምላሽ» እዩ ንውልቁ።

መረብ/ምላሽ ከምዚ'ሉ ተቖሪኑ ክጸንሕ ዘገደዶ ምኽንያት ድማ፡ ቀንዱ ብግዲ እዩ/ ውሑዱ ድማ ብውዲ። እቲ ብግዲ ዝበሃሎ፡ልኡላውነቱን/ኣገባብ ኣተራጉማኡን ንዝ-ምልከት እዩ። እዚ ኣብ ሓደጋ ስለ ዝኣተወ። ብውዲ(ፍቕሪ= ፍቶት) ማለት ድማ፡ ንማሕበራዊ-ናብራኡ/ትካላቱ/ኣባታዊ-ልምድታቱን ንዝምልከት። ብመሰረት ፍቕር'ዚ ቅዋማት/ኣባታዊ-ልምድታትን እዩ እውን እቲ ጽልኢ ብኢሱ፡ ምንጻል ኣኸቲሉ።

ብሕልፊ፡ ርእሰ-ከተማ ንጕንደር ግዒዙ፡ ሰሎሞናዊ-ስርወ ካብ ባህሉ ርሒቑ ተዳኺሙ ምስ ሞተ፡እቲ ንመረብ/ምላሽ ምስ ንግስነት-ኢትዮጵያ ኣሲርዎ ዝጸንሐ ናይ ኣኽብሮት ተኸታልነት/ ጥቕምን ዝኣመሰሉ ምትእስሳር፡ ተበቲኹም እዮም።

«ዘመነ-መሳፍንቲ»፡ ዝኾነ መሰል ዘይሕለወሉ ፋሉላዊ-ዘመን እዩ።

እቲ ብተድሮስ እንደገና ክሀንጽ እተፈተነ ንግስነት፡ ብዘይካ ሓይሊ-ረጽምን ካልእ መሰረት ኣይነበሮን። ዘመነ-ዮሃንስ እውን ካብኡ ካብ ናይ ተድሮስ ዝበኣሰ እዩ ነይሩ ዘብሎ፡ እቲ ንመኰንናዊ እንዳ-ተስፋጽዮን ዘ-ጸዓዘጋ ኰነ/ መኰንናዊ እንዳ-ሃዘጋ/ ተኪኡ ዝኣተወ ናይ ራእሲ-ኣሉላ ትግራዋይ ወታሃደራዊ-ምልኪ፡ ሕጋዊ ዘይምንባሩ ጥራሕ ዘይኰነ፡ ብዘዘውተሮ ናይ ጭካነ ኣገባብ እውን ምጽዋሩ ኣይከኣለን ዝነበረ።

ብዝኾነ ድማ፡ ዮሃንስ ኣብ «መተማ» ዝሞተሉ እዋናት፡መረብ/ምላሽ ድሮ ኣብ ናይ ጣልያን-መግዛእቲ ሰጊሩ እዩ ጸኒሑ። ስለ'ዚ ድማ እቲ ኣብ ካልእ ቦታታት-ኢትዮጵያ ዝቖመ ሓድሽ-ልኡላውነት/መበቆሉን/ ሕጋውነቱን/ ህዝባዊ ስነ-ሕጉን፡ ንመረብ/ምላሽ ፈጺሞም ኣይምልከቱን። መረብ/ምላሽ ግና ኣብ ናይ ኢጣልያ መግዛእታዊ-ስርዓት ድኣ ይሕለፍ'ምበር፡ ንመሰረታዊ እንታይነት ማሕበራዊ-ናብራኡ ዘነጽሩ ባእታታት ኣይነጸገን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ነቶም ኣብ ዓሚቑ ኣፍልጦ ተሰሪቶም ብባህሊ ዝጸንሑ ቅዋማት፡ ብስርዓት/ዝግባእ ኣኽብሮትን ከመሓይሽ-ከማዕብልን እዩ ጸኒሑን- ሃንቀው-ታኡን።

ሰብ-መዝነት ዝበሃሉ መራሕቲ ደቀ'ባት ኣብ እተፈላለየ እዋናት፡ ምዕቡል ስነ-ጥበብና ዘስተምህሩ መምሃራን ከለኣኹሎም ሓቲቶምና(ኢጣልያ)። ካብ ዕለታት ሓደ-መዓልቲ ባዕለይ(ደራሲ) እውን ኣብ ዝነበርኩሉ ኢጋማሚ፡ ራእሲ-ኣሉላ ብደዑባዊ-ዶባት ሰራዊት ኣኽቲቱ ከምድቦ ዝጸንሐ ወራር ንምምካት፡ ኣብቲ ሰራዊት-ኢጣልያ ዓሪዶምሉ ዝነበሩ መስመራት ብፈረስ ኰለላ ንፍጽመሉ ኣብ ዝነበርና፡ኤውሮጳውያን በቲ ብሉጽ- ፍርያ-ምነቱን ዝገልጽ መሬት ኣከለ-ጉዛይ ተመሲጥና ነድንቕ ኣብ ዝነበርና፡ ደጊያት ባህታ-ሓጐስ ን " ማጆረ ዲ ማዮ "፥ «..መኰንናትኩም ኣኽቲልኩም ስዓቡና..» በሎ። ቀጺሉ «...ምሳና ኩኑ፡ ካብ ኢጣልያ ሸቃሎ-ሓረስቶትን እውን ኣምጽኡ። ንሕና ክንበችዎ ዘይንኽእል ንኹልና ዝኣክል መሬት ኣሎ...» በለ።

እዚ፡ ብርግጽ ኣብ ግብሪ ምትርጓሙ ዝግባእ እዩ። ምኽንያቱ ድማ መረብ/ምላሽ ምናልባት ካብ መላእ ኤርትራ፡ «መግዛእታዊ-ምህዛብ» ንምትግባር፡ ዝያዳ ዝምረጽ ቦታ ስለ ዝኾነ። እዚ ምርጫ'ዚ፡ ኣብ ጣሰሚ ኩነታት ኣየር-ከበሳ እተመርኰሰ ጥራሕ

ዘይኮነ ከምቲ ኣብ መጀመርያ ክፍሊ ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ብፍላይ ብዛዕባ ሰራየ ኣብ እተዘርበሉ፡ ኣብዚ ዝርከብ ስፍሓተ-መሬት፡ ኑቲ ጠለብ መንባብሮ ደቀ'ባት ዝሓቶ፡ ኣዝዩ ጸብለል ስለ ዝብሎን እውን እዩ። ነዚ ብግቡእ ምትግባር ግና፡ ክኸብር ዝግባእ መሰላቶም ክይነፈግና እዩ። ኣብዚ ቦታ'ዚ ነጊሱ ዝርከብ መትከላት ማሕበራዊ ስነ-ሕግን፡ ደቀ'ባት ብዛዕባ መንግስትን-ወኪላቱን ዘለዎም ንጹር ርእይቶን ምኽባር ይግባእ ማለት እዩ።

መትከላት ማሕበራዊ ስነ-ሕጊ ክበሃል እንከሎ፡ ሓደ-ክፋሉ ካብቲ ክሳብ ሕጂ ክዋቀስ ዝጸንሐ ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራዊ ስነ-ሕጊ ዝመጸ ክኸውን እንከሎ፡ መብዛሕትኡ፡ ካብ ዞባኣዊ ባህልን/ ካብቲ ሰዲብና እንርእዮ ኣሽሓት-ዓመታት ዝጸንሐ ልምዳዊ-ሕጋታትን ዝመጸ እዩ።

ሓፈሻዊ ጸብጻብ መጽናዕቲ ናይ "ኢጣልያ ንጉሳዊ-ኮሚስዮን" ከም ዝሕብሮ፥«ኣስራርዓ ብሕታዊ-ዋንነት መሬት ኣብ መረብ/ምላሽ ብሓፈሻኡ፡ ምስ ፍቕዲ/መበቆል/ብንገድ ወይ ደቃ-ደቂ ዝግለጽ ናይ ደቀ'ባት ምክፍፋልን/ብጸቢብ ዝተኣሳሰረ እዩ። ከምዚ'ሉ ድማ፡ብሕታዊ-ዋንነት/ዞባኣዊ-ምምሕዳርን፡ብንጹር ፍልልይ ክግበረሎም ኣይከኣልን..» ኣብ ዝብል መደምደምታ ይበጽሕ።

እዚ ገለጻ'ዚ፡ ኣብቲ መረብ/ምላሽ ብሓፈሻኡ ኣብ ክልተ-ዓበይቲ ዓውዲ ይኸፈል ዝበልናሉ ቀዳማይ-ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ተመልኪትናዮ ነይርና ኢና። እቲ ቀዳማይ፡ «ደቃ-ሚናብ» ዝበሃል ኣብ ሰሜናዊ-ምብራቕ መረብ/ምላሽ ዝርከብ ወገን፡ *ኣከለ ጉዛይ- ሓማሴን* ዘጠቓልል ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ብስም «ደቃ ወረሰናዝጊ» ኣብ ደቡባዊ-ምዕራብ ዝርከብ ካልኣይ-ክፋል፡ *ሰራየ-ቆሓይን-ደቃ ተስፋ* ንዝበሃሉ ሰለስተ-ወረዳ ይምልከት።

ቀጺልና እውን ኣብ ካልኣይ-ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ከም ዝገለጽናዮ፡ ደቃ ሚናብ-ደቃ ወረሰናዝግን ብሓባር ኣብ ዝሓለፈ ጥንታዊ-ዘመናት እቲ ብስም *ምድረ-ባሕሪ* ዝፍለጥ «ኣባታዊ-ረፐብሊክ» ዝመስረቱ ምኺኖም እውን ተመልኪትና ነይርና።

ዝርጋሐ ምድረ-ባሕሪ፡ ካብ ገማግም ባሕሪ ኣትሒዙ ክሳብ ሓባብ/ብንዓምር/ ዓድታት ማርያን እዩ ዘጠቓልል ዝነበረ። ምምሕዳሩ ድማ በቶም *ባሕረ-ነጋሲታት* እተባህሉ ኣኽባረ-ሕጊ እዩ ክትግበር ጸኒሑ።

ባሕረ-ነጋሲታት፡ ልኡላዊ ስልጣን ንጉስ ኣሚኖም ብኣኡ ዝጸደቑ፡ ብርእሰ-ነገዳት ምድረ-ባሕሪ ዝምረጹ ሹማምንቲ እዮም ዝነበሩ። እዚ ጥንታዊ-ቅዋማት፡ ክሳብ'ቲ ናይ ፖርቱጋል ሚስዮናዊ-ትካላት ዝኣተወሉ ጊዜ(1550-1650 ዓ.ም.) ለውጢ ከይተ-ገብረሉ ከምኡይሉ እዩ ጸኒሑ። ብድሕር'ዚ ግን፡ ብምብራቕ በቶም ጐይቶት ገማግም-ባሕሪ ኰይኖም ዝኣተው ቱርኪ/ ብደቡብ ድማ፡ እቲ ክሳብ ሽዑ ከም ወፈያ ዝቐርብ ዝነበረ ውሑድ ትሕዝቶኡ ልግስታት ዘየዕገቦም፡ ገበርትን-ሓደግትን ናይቲ ንግስነት ብዝኾኑ ራእስታት ተጸቒጡ፡ እቲ ሃገር ከመይሉ ከም ዝለወጠ እውን ተገንዚብና ጸኒሕና።

"ኣከለ ጉዛይ" ብኣኽራናቱ ተኸቢቡ ንዝጸንሐ ጥንታዊ ደሞክራስያዊ ቅዋማቱ ክዕቅብ ከኣለ።

"ሓማሴን" ናብ ሓደ ኣባታውን-ወታሃደራውን ዝኾነ መኰንናዊ-ስርዓት ሰጊሩ፡ በቶም ቦኸር-ነገድ ዝበሃሉ እንዳታት ጸዓዘጋ/ሃዘጋ ተመሪሑ፡ ኣንጻር ድርብ ጸላእቱ ንምግጣም ወትሩ ኣብ "ኩነት" እዩ ጸኒሑ።

ሓደ ክፋል "ሰራየ" ግዳይ ሞንስታት ትግራይ ብምኳን፡ ንጸንሐ ጥንታዊ ኣባታዊ ቅዋማት ኣብ«መስፍናዊ-ጐይትነት» ናይ ምስጋር እዩ ዝነበረ ርእሰ-ውራዮም። እተ-ፈላለዩ መሳፍንቲ ድማ፡ ዝለዓለ ስልጣን ንምድላብ፡ ሓድሕዶም እናተጻረሩ፡ ብም-ብርራይ፡ ሓደ እዋን ጸግዒ ናይቲ ብሓማሴን ዝውከል ሰልፈ-ናጽነት እንኪኾኑ፡ ኣብ ካልእ እዋን ድማ፡ ወገን ናይቲ ብመራሕቲ ትግራይ ዝውከል ናይ ራእስታት-ሰልፊ ከድግፉ እዮም ጸኒሖም።

ውሽጣዊ ስርዓት መረብ/ምላሽ ክንምልከት እንተድኣ ኰይና፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዝረኣ-ናዮም ዓበይቲ ክፋላት፡ ጉልቲ/ ዓዲ ዝበሃሉ ዓበይትን ንኣሽቱን ምምቓላት እውን ከም

ዝርከብዎም ንግንዘብ። ዓዲ ክበሃል እንከሎ፣ ቃል-ብቓሉ ነቲ ቁሸት-መሬቱን ዘመ-ልክት ነገራዊ አጸዋውዓ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ነቲ ብደም ተኣሳሲሩ ዝዛመድ (ወይ ንዛመድ ኢና ዝብል) ዝውንኖን-ዝነብረሉን ህዝቢ እውን የመልክት።

እዚ ኣብ ማሕበራዊ-ዓለም መረብ/ምሳሽ ዓዲ ዝበሃል መባእታዊ-ትካል፣ ነቲ ንሕና (ኢጣልያ) «ከሙነ»(ኣሃዱ) እንብሎ ኣተሓሳስባ እዩ ዘጠቓልል። እቶም ኣብዚ ዝነብሩ "ኣሃዱኣውያን" ግና፣ ብዝምድና ንተኣሳሰር ስለ ዝብሉ፣ ኣባታዊ-ስርዓት ኣሚ-ኖም፣ ነቲ ሹም ወይ«ጭቃ-ዓዲ» ዝበሃል መገዝእት መራሕ-ኣሃዱ፣ ከም ሕጋዊ ወራሲ ቦኽር-ጨጓንፈር ናይቲ እንዳ ምኂኑ ይኣምንሉ።

ኣብ ኣከለ-ጉዛይ እዩ ንውልቁ፣ እቲ ጥንታዊ ደሞክራስያዊ-ቅዋም ተዓቂቡ ብምጽናሑ፣ መብዛሕትኦም ዓድታት ብውርሻ ዝሰየም ጭቃ ዘይርከብዎም። መራሕቲ እንዳታት እዮም በብዓመቱ ነባራ ወይ ሓለቓ-ዓመት እተባህሉ መራሕቲ ዝመርጹ። ምርጫ፣ ኣብ መዓልቲ-ብዓላት /ፋሲካ /ልደት /መስቀል /ቅዱስ-ዮሃንስ፣ ከክም ዓድታቱ እዩ ዝካየድ።

ከምዚ'ሉ ድማ ብዛዕባ ኣሃዱ ካብ ዘለዎም ኣምር፣ እቲ ንመነባብሮኦም ዝኸውን ምህርቲ ዘፍሪ-መሬት፣ ናይ ሓባር ዋንነት እዩ ኣብ ዝብል መደምደምታ ይበጽሑ።

እቲ ብመሰረት «Jus utendi et abutendi»(ሕገ-ጥቕሚ/ሕገ-ዋንነትን) ዝግለጽ ናይ ሮማውያን ስነ-ሕጊ ዘኽትሎ ምሉእን-ፍጹምን ዋንነት-መሬት፣ ኣብዚ ቦታ'ዚ ፈጺሙ ኣይትግበርን ጥራሕ ዘይኮነ፣ምናልባት'ውን ኣብ ኣእምሮ ህዝብታት ናይዚ ሃገር ከስቆር ዘይክኣል ኣምር እዩ ንባዕሉ።

ንሰም ከም ዝኣምንዎ፣ "መሬት"፣ ሓባራዊ-ዋንነት ናይቶም ዝነብርሉ ህዝብታት እዩ። ህዝቢ ብሓደ-መራሒ ይውከል። መራሒ፣ ብመራሕቲ እንዳታት ተሰንዩ፣ ጥንታዊ ሕጊ እንዳ'ባ ተኸቲሉ፣ እተፈላለዩ ኣባላት ናይቲ ኣሃዱ ክጥቀምሉ ዝግባኦም ብጽሒት-መሬት ብማዕረ ይኸፍልን-የመሓድርን ድማ።

እዚ ንዓዲ ዝምልከት ሓባራዊ ዋንነት-መሬት እውን እንተኾነ፣ ነቲ ንሕና(ኢጣልያ) እንኸተሎ ኣረኣእያ ፈጺሙ ኣይቀራረበን። ምኽንያቱ ድማ፣ ብሓድሓደ ግቡእት-ቀይድን ስለ ዝውሰን።

ንኣብነት፣ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት-ዋላ'ውን ናይ ሓባር ስምምዕ ወነንቲ ምስ ዝህሉ፣ -መሬት ክሸየጥ/ ክልወጥ/ ክመሓሳለፍ እውን፣ ኣይፍቀድን።

እቲ ኣቐዲሙ ካብ ናይ ሮማውያን ስነ-ሕጊ እተጠቕሰ ዓንቀጽ፣ ኣብዚ ቦታዚ፣ ሕጂ'ውን ብሮማዊ-ቋንቋ ብ «Jus usufructus» (መሰል ተጠቃምነት) ዝብል ስነ-ሕጋዊ መምርሒ ምተተክአ። ምኽንያቱ ድማ፣ እቲ ዝፍቀድ መሰል፣ ነገራዊ-ጥቕሚ ዘማልእ ናይ ክራይ-መሰል ጥራሕ ስለ ዝፈቅድ እዩ።

ናይ ሓቂ-ምሉእን መሰል ዋንነት-መሬት፣ ነቲ ብንጉስ ዝውከል ኣመሓዳሪ-መንግስቲ እዩ ዝብጽሖ። ከምዚ ዝኣመሰለ መሬት እዩ ድማ «ጉልቲ» ዝበሃል።

ጉልቲ፣ካብ "ጐለተ" ዝመጸ ቃል እዩ። ትርጉሙ ድማ መሰረት ወይ ትካል ማለት እዩ። ጉልቲ ዝህልዎ እሪት እዚ ኣይበሃልን። ምናልባት ግን ኣብ መጀመርያ፣ ኣብ ዝባደመ ሃገር ካብ ምንባር ወይ ተሃዚቡ ንዝጸንሐ ሃገር ህዝቡ ብምስንኮ ወይ ከም ጊላ መሊኽካ ምግዛእም ብዝትርጐሙ ወራሪት ዝመጸ እዩ ዝኸውን መበቆሉ።

ኣብ ህልዊ-እዋን ግን ጉልቲ ክበሃል እንከሎ፥ *ብልኡላዊ ስልጣን-ንጉስ ኣብ ሓደ ፍሉይ ምድሪ ብሰላሕታ ይኹን ብግሁድ፣ ንውልቀ-ሰብ/ ንምሉእ ነገድ/ ንምራላዊ-ትካል፣ ኣብ ትሕቲ ንጹር ኩነታት ብቀዋሚ ይኹን ወይ ብጊዜያዊ-መልክዕ፣ ንክትጥቀመሉ ዝፍቀድ መሬት እዩ ትሕዝቶኡ።*

እቲ ኣብ ትሕቲ ንጹር ዝበሃል ዘሎ ኩነታት፣ መወዳእታ ኣይርከቦን።

ንጉስ ንሓደ ፍሉይ-ምድሪ ብስም ወይ ንጥቕሚ ናይ ንሱ ዝውስኖም ሰባት፣ ብዘይ-ውዕለት ክሕርሶ ይኽእል። እዚ ከም «ምድሪ-ዓመጽ» ዝፍለጥ ዋንነት ዝህልዎ ኣገዳስነት ንመገን ገዲፍካ ግና፣ እቶም ብሓፈሻኡ መሰል-ጉልቲ ዝዕቅቡ ረቛሒታት፣ ብዝስዕብ ምጽማቕም ምተኻእለ፥

1)-ብንጉስ ምእማን

2)-ነፍስ-ወከፍ ጉልቲ ብገንዘብ ይኹን ብጥረ-ነገር ዝውሰን ግብሪ ምኽፋል ይግደድ። ንሓለዋ ዓዲ ተባሂሉም ዝቖሙ ኰነ/ንመንገደኛ ንጉሳዊ-ሰራዊት/«ፈሰስ» ምብርካት። በቲ ምድሪ ዝሰግሩ ናይ መራኸቢ መስመራት(ጽርግያታት) ብጽርየት-ከንክን ምዕቃብ። አገልግሎት ሓፋሽ ተባሂሉም ንዝፍጸሙ ዕዮታት፡ወፈራዊ-ጉልበት ምውፋይ። አገደስቲ አብ ዝበሃሉ ብዓላት/ መራሕቲ አብ ዝስየምሉ -ማሕበራዊ አገዳስነት አለዎም አብ ዝበሃሉ ኢጋጣምታት....ወ.ዘ.ተ.፡ በብበታኡ ዝምደቡ ህያባት ምብርካት።

3)-ብግዚ ኩናት፡ ኩሉም ብረት ምልዓል ዝበቕዑ ዜጋታት "ክተት" ካብ ዝእወጀሉ እዋን አትሒዞም ክሳብ ርፍትያ፡ ወታሃደራዊ-አገልግሎት ክበርክቱ ይግደዱ።

4)-ጉልቲ እተፈቕደሎም ህዝብታት፡ አብኡ ክነብሩን-ክሓርስዎን ይግባእ።

እተጠቕሱ ግዱኣት ምስ ዘይማልኡን/ እቲ ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ነገድ(ወይ ደቂ-ደቂ) ምስ ዝቕህምን፡ ጉልቲ ብምሉእ መሰል ናብ ንጉስ ይምለስ።

ኣብ ኣእምሮ ናይቶም መሬት እተፈቕዶም ህዝቢ፡ መንግስቲ ዝህልዎ ናይ ቀዳምነት መሰል መታን ከይሃስስ፡ ኣብ መሬት ነፍስ-ወከፍ ዓዲ፡ ዕሸር እተባህለ ዓስራይ-ኣፍ ናይቲ መሬት፡ ንንጉስ ተባሂሉ ነጻ ክጸንሕ ይግባእ።

ሓደ-ክፋል ናይቲ ኣባይቲ ንምህናጽ ዝውሰን መሬት፡ ነጻን-ዘይሕረስን ኮይኑ ይጸንሕ። እዚ ድማ፡ ቤቱ ክሃንጽ ንዝደለየ ወድ-ዓዲ ብነጻ ዝዕደል ይኸውን።

መበቆል ጉልቲ አብ ዝጠቐስናሉ፡ ስቱር ፍቓድ-ንጉስ ምኻኑ መበገሲ-ህላዌኡ ተባሂሉ ጸኒሑ። እዚ ኩነት'ዚ ዝገሃደሉ ድማ፡ ሓደ ተሰቒቑ ዝጸንሐ መሬት፡ ወድ-ዓዲ ብዘይኮነ እውን ንአርባዓ-ዓመት ዝኣክል በቶም ሰብ-መሰል ዝበሃሉ ደቂ-ዓዲ ተቓውሞ ከይረኸበ ብቀጻልነት ተታሒዙ ምስ ዝሕረስን እዩ።

ጉልቲ፡ ብቀጥታ ዝብጽሑን ማለት ጉልቲ-ርስቲ/ ብተዛዋዋሪ ዝፍቀዱን(ቢጉልቲጪ) ተባሂሎም'ውን ይኽፈሉ። ርስቲ ዝበሃል ጉልቲ፡ ምህርቲ ናይ ዝሕረስ መሬት ብቀጥታ አብ ሓራሲኡ ክውዕል ዝፈቅድ መሰል ምስ ዝህሉ እዩ። ብተዘዋዋሪ ዝውንን ጉልቲ ክበሃል እንክሎ ድማ፡ ካብ ሓደ ዓዲ ይኹን አውራጃ ብመልክዕ ክራይ ኰነ/ ብካልእ ተገብኦ፡ እትዋሃብ ናይ ምርካብ ዘሎ መሰል እዩ ትሕዝቶኡ።

ጉልቲ-ርስቲ ዝበሃሉ፡ እቶም ንሓደ ምሉእ ደቂ-ደቂ ወይ ነገድ ዝፍቀዱ ጉልትታት እዮም። እቲ ነገድ ነቲ ጉልቲ ይነብረሉን-ይሓርሶን። ምስ ምብርካት ህዝቡ ድማ፡ ይሰራጨወሉን-የስፋሕፍሕን። ስለዚ'ውን እዚኦም፡ እቶም ዝሰፍሑ ጉልቲ ኰይኖም፡ ጥንታውነቶም እዚ ስለ ዘይበሃል፡ ብጥንቁቕ ምርመራ'ውን መበቆሎም ምፍላጥ አሸጋሪ ይኸውን። እዚኦም እዮም ድማ ምልኣት ናይቲ ጉልቲ ዝብል አጸዋውዓ ስለ ዘማልኡ «ጉልቲ ናይ ሰብ» ዝበሃሉ።

ወትሩ ብድሕሪ'ቲ «ጉልቲ ናይ ሰብ» ዝብል አጸዋውዓ፡ ስም ርእሰ-ነገዶም እውን ይጥቀስ እዩ። መሰሎም ድማ ቀዋሚ እዩ። ብዘይካ ንሓፈሻዊ-ጸጥታ ዝምልከቱ ክብድ ዝበሉ ጉዳያት ድማ፡ እዚ መሰል'ዚ ክሰሓብ-ክቕንጠጥ ኣይፍቀድን።

ናይ ተዘዋዋሪ ዝበሃሉ ጉልቲ(ቢጉልቲጪ) እቶም ንገዳማት/አቢያተ-ክርስትያን/ሹማም-ንቲ/ንንጉስ ዘገልግሉ ባዕዳውያን፡ንለውጢ አገልግሎቶም ይኹን ብፍታው-ንጉስ ዝዕደሉ መሬት እዮም። ዋንነቶም ድማ ከከም ንጉስ ዝፈቕዶ ወትሩ ይልውጥ።

ገዳማት/አቢያት-ክርስትያን ንአብነት፡ ከከም ኩነታቱ፡ ዓስራይ-አፍ ናይቲ እተፈቕደ መሬት ክብጽሖም ጸኒሑ፡ አብ ካልእ እዋናት፡ ዓዲ ካብ ዘዋጽኦ ንጉሳዊ-ግብሪ ዓስራይ-አፍ ኰነ/ ብካልእ መልክዓት ካብ ዝኣቱ ግብሪ ክናበሩ ጸኒሖም።

እቶም ንሹማምንቲ ወይ ንምሩጻት ሰባት ዝፍለዩ ውሊቃውያን ወይ ናይ ብሕቲ ጉልቲ፡ ክልተ-ዓይነት እዮም፥ *ዓመጽ/ዕሸር* ይበሃሉ።

ጉልተ-ዓመጽ፡ እቲ ውህበት ወይ ፍቓድ ከም ዘነጽር፡ ሓደ-ክፋል ናይቲ ብሓባር ዝውንን መሬት ተሰሊዑ፡ንጥቕሚ ሓደ ምሩጽ ውልቀ-ሰብ ይውሰን፡ እዚ ድማ ውዕለት ብዘይሕትተሉ ናውቲ/ጉልበት ደቂ-ዓዲ ክሕርሶ መሰል ይህልዎ። *ዓድታት-ዕሸር* ዝበሃሉ ድማ፡ ነቲ ብንጉስ ተመሪጹ እተፈቕደሉ ውልቀ-ሰብ፡ ዓስራይ አፍ ካብ

ምህርቲ ማሕረስ ኰነ/ ካብ ሓፈሻዊ-እቶት(ጥሪት-እንስሳ/ጠስሚ-መዓር...) ክኸፍሉ ይግደዱ።

ንውልቀ-ሰብ ይኹኑ/ኣቢያተ-ክርስትያን/ደብሪ/ገዳማት/ ብንጉስ እተፈቕዱ ዘይርስ-ታውያን ጉልታት፣ ከም ፍላይ ጉንያ ወይ ጅንጀና ይግመቱ። ዝኣመሰለ ዋንነት ድማ፣ ቅውም-መሰል ኣይህልዎን። ኣብ ዝኾነ እዋን ክስሓብ ይክኣል። ይጠበቐልካ ምስ ዘይብሃሎ ድማ፣ ኣብ ናይ ንግስነት ተወራረስ ይምለስ ወይ ህላዌኡ የብቅዕ።

ኣብ መረብ/ምላሽ ኣለው ዝበሃሉ መልክዓት-ጉልቲ ንምድምዳም ድማ ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ውስጠ-ጉልቲ ምጥቃስ እውን ኣድላዪ ይኸውን።

«ውስጠ-ጉልቲ» ማለት፣ ብመሬት ሓደ ስፍሕ ዝበለ ጉልቲ(ብፍላይ ድማ ቡቶም ርስቲ ዝበሃሉ ጉልቲ) ፈጺሙ እተኸበበ ንኡስ-መሬት እዩ። ፍልልዮም ድማ ብዘይካ ስፍሓት ካልእ ኣይኮነን።

መበቆል ውስጠ-ጉልቲ እተፈላለየ እዩ። ገሊኦም ኣዝዮም ጥንታውያን ኰይኖም፣ ሓደ «እንዳ» በርኪቱን ኣብ ዝስዕብ ወለዶ ፈርዩን ክሀዝዎ ብዝብል ተስፋ ተሰሪጭዩ ዝሰፈሮን ሓድሽ-መሬት ክነሱ፣ ብተጻራሪ-ኩነታት ግና እቲ ማሕበረ-ኮም ክይፈረየን-ክይሰሰነን ጸኒሑ ብካልእ ህዝቢ-ነገድን ተኸቢቡ ከም ዝተረፈ ይሕብሩ።

ካልኦት ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋናት እተመስረቱ ውስጠ-ጉልቲ ድማ፣ ተዋጋእቲ ህዝብታት ብሉጽ ቦታ ንምንዳይ ካብ ካልእ ክፍልታት ተሰዲዶም ዝሃዘብዎ መሬት ይመስሉ።

ነቶም ኣብ ቀዳማይ እተጠቕሱ ውስጠ-ጉልቲ ዘረድእ ኣብነት፣ እቲ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝርከብ ብዘርኢ-ለዊ ተሃዚቡ ዝበሃል ውስጠ-ጉልቲ ዓድ-ኣበይቶ(ኣይበቶ) እዩ።

ኣብ ካልኣይ ኣብነት ውስጠ-ጉልቲ ክጥቀሱ ዝኽእሉ ድማ፣ ብበለው እተሃዘበ ቤት-መኻእ ኰነ/ ኩሎም'ቶም ብጋላ-ጭዋ -ሉን ጭዋ -ክበሳ ጭዋ እተሃዘቡ ዓድታትን ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዞም ኣብ ድሓር እተጠቕሱ ክልተ-ምድሪ፣ ብቐድም'ቲ ጋላ ዝመጽሉ እዋናት ክልቲኦም፣ ጉልቲ-ተገብእ ወይ ጉልቲ ርስቲ ነገደ-ሚናብ እዮም ዝነበሩ። ኣብ ህልዊ-እዋን፣ ኣብ ብዙሓት ባዕሎም ዝመሓደሩ ቁሸታት ተኸፊሎም፣ ብሓባር ዝኣምንሉ ስልጣን ግን ስለ ዘየመሓድሮም በብወገኖም ብጽሒት ግብረ-መሬት ይኸፍሉ።

ካልእ ዝውቱር ዝኾነ ኣገባብ መበቆል ውስጠ-ጉልቲ፣ ሓደ ምሉእ-ህዝቢ «ዓዲ» ምስ ዝለቕቕ እዩ ዘጋጥም። ኣብዚ ኩነታት'ዚ ድማ ኣኽቲልና ከም እንርእዮ፣ ብፍቓድ-ንጉስ እቲ ዓዲ ንካልእ ህዝቢ ክፍቀድ ይኽእል።

ነፍስ-ወከፍ ዓዲ፣ ኣብ ውሽጥ'ቲ ዝሰፍሮ «ጉልቲ ናይ ሰብ»፣ ንባዕሉ ውስጠ-ጉልቲ እዩ ክበሃል ምተኻእለ። ብመዝነት ሹም-ጉልቲ ዝቕየድ ድማ፣ ንፍትሓውን/ ወታሃደራውን/ ግብሪ ናይ ምኽፋል ጉዳያትን እዩ ዝምልከት።

ውስጠ-ጉልቲ ግና፣ ርከቡ ብቀጥታ ምስ ንጉስ ወይ ንዓኡ ዝውክል ራእሲ ወይ መራሕ-ወረዳ ዝበሃል ሹም-ነጋሪት እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፣ እቶም ንዓኡ ክቢቦም ኣብ ሰፊሕ-ጉልቲ ዝነብሩ ህዝብን/ሰብ ውስጠ-ጉልትን፣ እተፈላለየ መበቆል ብምህላዎም እዩ።

ብመሰረት ናይ'ዚ ክሳብ ሕጂ ክግለጽ ዝጸንሐ ትሕዝቶ እምበኣርከስ፣ እቲ ብፖሊቲካውን ማሕበራውን መልክዑ ብሓቂ ኣገዳሲ ክበሃል ዝኽኣል ጉልቲ፣ እቲ ምሉእ ደቂ-ደቂ ወይ ነገድ ብሓባር ዝነብርዎን-ዝሓርስዎን ጉልቲ-ርስቲ ወይ ጉልቲ ናይ ሰብ እተባህለ እዩ። ነቲ ንሕና(ኢጣልያ) «ከባቢ» እንብሎ ክፍሊት ድማ ይመስል።

ጉልቲ ናይ ሰብ ክበሃል እንከሎ፣ ንጹር ስእለ-መሬትን/ ፍሉጥ ባህርያዊ ዶባትን ዘለዎ መሬት እዩ። ህዝብታቱ፣ ሓደ ናይ ሓባር-ጨንፈር ምህላው ይኣምን። መሬቱ ኣብ ብዙሓት «ዓድታት» ተኸፊሉ፣ ዝነብርዎ ህዝቢ ድማ ብቐረባ ዝምድና ከም ዝተኣሳሰሩ ይኣምኑ።

መቓምጦ ወይ ኣሰራርታ ናይዞም ዓድታት፣ ኣብ ከባቢ ሓደ ግዝፍ ዝበለ ዓዲ ኰይኑ ካብዚ እዩ'ውን ደፋእ እናበለ፣ ምስፍሕፋሕ ናይቶም እተፈላለዩ ማሕበረ-ሰብ ዝብገስ። ቦኸር-ጨንፈር ናይቲ ነገድ እውን ኣብዚ ግዝፍ ዝበለ «ዓዲ» ስለ ዝነብር፣ ካብኡ እዩ

ድማ እቲ ሓይቶ (ኣቶ) ወይ ሹም-ጉልቲ ዝበሃል መራሒ ዝምረጽ። ኣባታዊ ስልጣኑ ኣብ ምሉእ'ቲ ጉልቲ ይዝውተር። ሕጊ ንዝምልከት፡ ብሹማምንቲ ወይ ጭቃታት ተሰንዩ ኣብ ሞንን'ቶም ብኣኡ ዝመሓደሩ ዓድታት ክለዓሉ ንዝኽእሉ ነገር፡ብቀዳማይ-ደረጃ ይፈርድ። ናብ ላዕለዋይ-ስልጣን ይግባይ ኣብ ዝበሃለሉ፡ ብካልኣይ-ደረጃ ንውሳነ ሹም-ዓድታት ዝሽምግል እውን፡ "ሹም-ጉልቲ" እዩ።

ብሹማምንቲ-ዓዲ ተደጊፉ፡ እቲ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ ክኸፍሎ ዝግባእ ንጉሳዊ-ግብሪ ኩነ/ ምቅሊት «ፈሰስ»/ ካልእ ኑቲ ጉልቲ ዝብጽሖ ግቡኣትን፡ ብኣኡ ይውሰኑ። ኣብቶም ንሱ ዘመሓድሮም ዓድታት ክህሉ ዝግባእ ስርዓት-ጸጥታን፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ይሕ-ተተሉ።

እቲ ንጉልቱ ዝምልከት ንጉሳዊ-ግብሪ ኩነ/ ብመሬቱ ንዝሓልፍ ሰራዊት-ንጉስ ዝግባእ ፈሰስ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ «ክተት» ኣብ እተባህለሉ፡ ኣብ ከባቢኡ ንዝእከቡ ሰብ-ብረት ዝመርሕ፡ ባዕሉ ሹም-ጉልቲ እዩ።

ሹም-ጉልቲ ኣይብቑዕን ምስ ዝበሃል -ወይ'ውን መዝነቱ ብግቡእ ምስ ዘየተግብር፡ ብካልእ ምትካኡ ዝከኣል እዩ። ከም ቅውም-ሕጊ ግና፡ እቲ ንዓኡ ዝትክእ መራሒ፡ ናይ ቀረባ ዘመዱ ወይ ድማ ብስርዓት-ተወራረስ፡መሰል ዝህልዎ ዚጋ ክኸውን ይግባእ።

ቅድም'ቲ ብራእሲ ሚካኤል-ስሑል ዝብገስ ፋሉላዊ-ዘመናት፡ «እንዳ-ጸዓዘጋ» ጸብለል ኢሉ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜያት፡ ሹም-ጉልታት መረብ/ምላሽ፡ ብመራሒ ናይቲ እንዳ እዮም ዝምረጹ ነይሮም። ዝግባእ ናይ ኣገልግሎት ጸማእም ድማ፡ ከምዚ እዩ ዝነበረ፥

1)-መሬቱ፡ ብጥሪት-ጉልበትን ገባር ብነጻ ይሕረስ-

2)-ንሱ ካብ ዝዳነዮም ነገር ዝርከቡ ናይ«ውርዲ»እትዋት፡ ንዓኡ ይብጽሖ

3)-ዓስራይ-እፍ ንጉሳዊ ግብሪ ንዓኡ ኣትረፉ፡ ዝተረፈ ናብ መዝገብ-ንጉስ የመሓላልፍ።

4)-ከከም ጉልቱ ብዝልውጥ ኣገባብ፡ ብጥረ-ነገር ዝትርጐም ህያባት ክብርክቱሉ እውን፡ መሰሉ እዩ። ከም ሓፈሻዊ መምርሒ ንኣብነት፡ ነፍስ-ወከፍ ብኣኡ ዝመሓደር ዓዲ፡ ኣብ ብዓላት-ፋሲካ/ መስቀል፡ መጕላ-ዲበላ ዝኣመሰሉ ህያባት የበርክት።

ሹም ወይ ጭቃ-ዓዲ እውን ኣብቲ ንሶም ዘመሓድርዎም ዓድታት፡ ተመሳሳሊ ጉቡእ-መሰልን እዩ ዝነበሮም። ዓስራይ-እፍ ንጉሳዊ-ግብሪ ናይ ምልዓል መሰል ግን ኣይፍቀ-ዶምን። እቲ ዓዲ ግና ባዕለ-ምሕዱር ኮይኑ፡ ንጉሳዊ-ግብሪ በይኑ ተፈልዩ ምስ ዝኸፍል እቲ «ጭቃ» እውን፡ ዓስራይ-እፍ ይበጽሖ እዩ። ብዝኾነ ከኣ መዝነቱ ኣብ ግብሪ ክተርጉም፡ ፍቓድ ሹም-ጉልቲ ይሕተት።

ከም እንምልከቶ እምበኣርከስ፡ እዚ ፖሊቲካውን-ማሕበራውን ስርዓት'ዚ፡ ምስቲ ኣብ ማእከላይ-መዋእል (Medio-Evo= Middle Age) ዝነበረ ናይ ኢጣልያ መስፍናዊ-ስርዓት፡ ፈጺሙ ዘይራኸብ እዩ።

መስፍናዊ-ስርዓት ኣብ መሰረቱ፡ ውሑድ ባዕዳዊ-ህዝቢ ንዝበዝሐ ወደ'ባት ዝኢኡ ከም ዊንታኡ ዝምዝምዮ ስርዓት እዩ።

ጉልቲ ክበሃል እንከሎ ግና፡ ናይ ደም-ዝምድና/ምትእስሳርን ኣሚኑ፡ ስምምዕ-ሓድነትን ኣባላቱ ንምርግጋጽ ወይ ንምዕቃብ፡ ብፍታው/ ብሕገ-ቦኸራውነት ተቐይዱ ዝነብር ስፈሕ «እንዳ» እዩ።

ብርእይቶይ(ደራሲ)እዚ ኢቃውማ'ዚ፡ንናይ "ስኮትላንድ" «እንዳ» እዩ ድኣ ዝመስል። ብፍላይ ድማ እቲ ጥንታዊ-ቅዋማቱ ብመስፍንነት ከይተሓበለ እንከሎ ንዝነበረ እንዳዊ-ኢቃውማ ይመስል። መስፍናዊ-ስርዓት እዩ'ውን ኣብቲ ቦታ'ቲ፡ መንቀሊ ናይቲ ብ 1745 ዓ.ም. እተላዕለ ሰውራዊ-ማዕበል ኮይኑ፡ ኑቲ ዝጸንሐ «ሳን-ጃኮሞ» እተባህለ ቤት/ምኽሪ ሰረዙ፡ ንጥንታዊ ስርዓት-ካለዶንያ ከም ዝውገድ ዝኪሩ።

"ግዊዶ ቢጎኒ" እተባህለ ደራሲ፡ ኑቲ ኣብ "ስኮትላንድ" ዝነበረ ናይ ሽዑ ኩነታት፡ ብከምዚ ይገልጾ፥

> «...እንዳ ክባሃል እንክሎ፡ ኣብ ሞንጎ ኣባላቱ ብዝህሉ ምክፍፋል-ዕዮ እንተ-ዘይኮይኑ፡ኣብ ቀንዲ ማሓለዮኡ ካብ ቀቢላ ብዙሕ ኣይፍለን። ኣባላት ሓደ-እንዳ፡ ብናይ ደም-ዝምድና ይተኣሳሰሩ እዮም። ትርጉም ናይዚ Clan ዝበሃል" ቾልቲካዊ " -ቃል ድማ፡ ልክዕ ከምቲ ላቲናውያን-ህዝብታት Gens ዝብልዎ ደቂ/ ዘርኢ-ትውልዲ/ ነገድ/ ማለት እዩ።
>
> መራሒ ናይ «ስኮትላንድ-እንዳ» ከም ወኪል ጥንታዊ ናይ ሓባር-ስድራ (ልኡል መጸዋዕታ-ስሙ እውን ካብኡ ዝወርሶ) ካብቶም ብብዝሒ ኣብ ኣኽራናት ዝነብሩ ገባር ደቅ-ዓዲ፡ ናይ ተኸተልቲ-ተማእዛዝነት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ዝምድናዊ-ፍቕሪ እውን ዝነበሮ እዩ። .....» ይብል።

እዚ ቃላት'ዚ፡ ልክዕ ጉልታት መረብ/ምላሽ ንምግላጽ ተባሂሉ እተቐርጸ ይመስል። ነዚ ተመሳሳልነት፡ ምሉእ ንምግባሩ ድማ፡ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝርከቡ ጉልቲ፡ ብስም-ኣበዎት ማለት በቲ ደቃ-ደቂ ዝብል መጸዋዕታ የሰንይዎ።

ደቃ-ደቂ ማለት ድማ፡ ከም ናይ ቾልቲካውያን-Clan/ወይ ናይ ላቲን-Gens ኮይኑ ትርጉሙ፥ ደቂ -ዘርኢ -ነገድ ማለት እዩ።

ኣብነታት፥ ደቃ-ትንጹብ ኣብ ተኸላ/ ደቂ-ያቆብ ኣብ መራጉዝ .....ወ.ዘ.ተ.።

ኣብ ሞንጎ ኣባላት ደቅ-ዓዲ ዝዋደቕ ምቅሊት መሬት ቅድሚ ምግላጽ ተወሳኺ ክበርህ ዝግብኦ ነጥቢ፡ ንዝኾነ ባዕዳዊ ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ ምምሳሕ-መሬት ክሳተፍ ከም ዘይፍቀድ ምዝካር ይግባእ። ኮይኑ ግን ኣብ ዓድን/ ካብ ጓል-ዓድን ምስ ዝውለዱ ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ወለዶ ንዝሰዕብ ዘርኦም፡ እዚ መሰል'ዚ ይፍቀድ። ካብ ጊላ ዝውለዱ'ውን፡ ኣብ ሓሙሻይ-ወለዶ ሓራ ተባሂሎም ከም ኣሕዋት ደቅ-ዓዲ ዝበሃሉ፡ ንሶም'ውን ኣብ ዓድን ካብ ጓል-ዓድን ምስ ዝውለዱ እዩ።

መሰል-ዋንነት መሬት ዝፈቕዱ ሓፈሻውያን-ኣምራት ካብ ተሓንጸጹ፡ ምምሳሕ-መሬት ዝኸተልዎ ኣገባባት ንመልከት። ነቲ መሬት እተፈላለዩ ኣስማት ዘልብሱ፡ ሰለስተ-ኣገባብ ኣለው። ንሶም ድማ፥ ምድሪ-ደሳ/ምድሪ ሽፋ ወይ ሸሕና/ምድሪ-ርስቲ ይበሃሉ።

1)-ምድሪ-ደሳ(ዴሳ ወይ ዳሳ፡ ከከም ዞባኣዊ ኣደማምጻኡ፡ ካብ " ደስ "= ሕጉስ ዝመጸ ቃል) መሬት ን " መላእ-ዓዲ " ዝብጽሖ ናይ«ሓባር-ዋንነት» ምኻኑ ይገልጽ። ዝኾነ ውልቀ-ሰብ(ደቅ-ኣንስትዮ እውን ከይተረፋ) ናይ ማሕረስ ድልየት-ንዋትን ምስ ዝህልዎ፡ ኣብቲ ብእቦ-መንበርነት ሹም ወይ ጭቃ-ዓዲ ዝምራሕ ማሕበር-ሽማግለ ሓቲቱ፡ ክፍቀዶ ይኽእል። ብጽሒት ግብረ-ንጉስ ክኸፍለሉ ድማ ይግባእ።

ኣዋድቓ ደሳ ዝጥቀም ዓዲ፡ ንጹርን-ብሒታውን መሰል ኣይህልዎን። ማንም ሰብ በብዝመጾ ክሓርሶ ይፍቀድ። ደቅ-ዓዲ ዝህልዎም መሰል፡ ናይ ቀዳምነት እዩ። እቲ ሓድሽ መጻኢ ግን፡ ብግብረ-መሬት ይሕተት።

2)-ምድሪ ሽፋ ወይ ምድሪ ሸሕና(ሽፋ ካብ ምክፋል= ንቹደም-ብል/ ሸሕና ድማ ንኩልና ማለት እዩ) -ኣብዚ እውን፡ መሬት ብፍሉይ መሰል፡ ዋንነት መላእ-ዓዲ ክነሱ፡ ንክጥቀምሉ ተባሂሉ ብማዕረ ክፍሊትን ከከም ኣድላይነት ኣባላቱ ንዝተወሰነ ጊዜ ይዋደቕ። ብዝኾነ ግና ከከም ዓዱ፡ እቲ ግዜ ካብ 2 ክሳብ 7 ዓመት እዩ ዕድመኡ።

ኣብ መሬት ሽፋ እውን፡ ነፍስ-ወከፍ ኣባል ወድ-ዓዲ፡ ንብጽሒቱ-እጀታ ክሳብ'ቲ እተወሰነሉ እዋን፡ ንካልእ-ሰብ ከመሓላልፍን-ከሕርሶን ይፍቀድ። ብሓባር ድማ ምኽፋል ግቡእ ግብረ-መሬት ኮነ ካልእ ውዕላትን ይሰማምዑ። ንኣብነት፡ ጊዜያዊ-ወናኒ ባዕሉ ግብረ-መሬት ከቲቱ/ ዘራእቲ ኣቕሪቡ/ ናውቲ-ማሕረስ እውን ከቕድም ይኽእል። ነዚ ድማ ዋጋኡ ይሓትቱ። እዚ ኣገባብ'ዚ ዝዝውተረሉ መብዛሕትኡ ጊዜ፡ እቲ ንውልቀ-ሰብ ዝብጽሖ መሬት፡ ልዕሊ ዓቕሙን-ናውቱን ምስ ዝኸውን እዩ።

3)-ኣብ መወዳእታ ድማ ምድሪ-ርስቲ(ካብ " ወረሰ " ዝመጸ ቃል)፡ ናይ ሓባር ኮይኑ ዝጸንሐ መሬት፡ ኣብ ሓደ ፍሉይ እዋን ብመሰረት ስምምዕ ኣባላቱ ተዋዲቑ ብቀዋሚ መልክዕ እተዓደለ መሬት እዩ። እዚ መሰል'ዚ፡ ብመስመር ተባዕታይ-ጾታ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ ይኸውን። ስለ'ዚ'ውን «ምድሪ-ርስቲ» ብውርሻ ዝመሓላለፍ ኮይኑ፡ ክሸየጥ-ክልወጥን ይከኣል። እዚ ግን ወትሩ ንደቅ-ዓዲ እምበር፡ ንዘይደቅ-ዓዲ ኣይምልከትን። ምኽንያቱ ድማ እቲ መሬት፡ ብቀዋሚ መልክዕ ድኣ

ይማሳሕ'ምበር፣ እቲ ማሕበራዊ-ጉጅለ፣ ናይ ሓባር ዋንነት መሬት-ዓዲ ዝብል ኣምር'ሲ ፈጺሙ ኣይነጸጎን። ምድረ-ርስቲ፣ ኣብቲ ስዒቡ ዝመጸ እዋናት፣ ብብዝሒ ሃልቂ ኣባላት ናይቲ ብዝምድና ዝተኣሳሰር «እንዳ»ኮነ/ሹም-ዓድታት ቡቲ ኣብዚ ዘበ'ዚ ዘጋጠመ ናዕብታት ተጠቒሞም፣ ኑቲ ኣብ መበቆሉ ናይ ሓባር ዝጸንሐ ዋንነት፣ ብረጽሚ ንባዕሎም ክብሕትም ዕድል ስለ ዝረኸቡን እዩ፣ ብጸቢቡ ብሕታዊ-ዋንነት መሲሉ ዝቕርብ። እዚ ግን ኣብ ዝስዕብ ዝበርሀ እዩ።

ኣዋድቓ-መሬት ብዘየገድስ ግና፣ ንኩሎም ዝቕይድ ስርዓተ-ሕጊ ኣሎ። ብሓጺሩ ክግለጽ ድማ፣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

ሀ)-ሹም-ጉልቲ ኮነ ጭቃ-ዓዲ ብመሰረት ናይቲ ዝሀልዎም መዝነት እውን እንተኾኑ፣ ብዘይካ'ቲ ኣብ ዓዶም ብማዕረ ዝብጽሖም እጃታ፣ ኣብ ዝኾነ ካልእ ብኣእም'ውን ዝመሓደር ዓዲ፣ ካልእ ብጽሒት ኣይፍቀዶምን።

ለ)-መሬት ዝሃለቐ ዓዲ፣ ኣብ ክንዲ ናብቲ «ጉልቲ ናይ ሰብ»፣ ናብ "መንግስቲ" ይምለስ። መንግስቲ ድማ ከከም ኩነታቱ፣ ኑቲ ጉልቲ ይኹን/ ንካልእ የድሊ ዝበሎ ህዝቢ ከወፍዮ፣ መሰሉ እዩ።

እዚ'ውን ከምቲ ድሮ እተጠቕሰ፣ ካልእ ኣገባብ መበቆል «ውስጠ-ጉልቲ» ክኸውን ይኽእል።

ካልእ ንምድሪ-ርስቲ ዝቕይድ መትከል ድማ፣ እዚ ዝስዕብ እዩ፥ ብዘይካ ፍቓድ-ንጉስ፣ ካብ ዓድኻ ወጻኢ ካልእ ርስቲ ምውራስ ኣይፍቀድን።

ከምዚ ዝኣመሰሉ ቀይዲ-ሕግታትን ዝጸደቑ ድማ፣ መንግስቲ ዘለዎ ቀዳምነት ንምንጻር እዩ። ማለት እቲ «መሬት ብሓባር ይውነን» ዝብል መሰረታዊ መትከል ተጣሒሱ፣ ዋንነት-መሬት ኣብ ኢድ ውሑዳት ከይባሓት ምዕጋት፣ እዩ ዕላማኡ።

ስለ'ዚ'ውን ከም ሕጋዊ ሳዕቤን፣ ዝኾነ ሹም-ጉልቲ፣ ብዘይ ዋና ዝተረፈ መሬት ክዕድል ወይ ክማስሕ ኣይፍቀድን። እዚ ተኽእሎ'ዚ ንጉስ ንበይኑ፣ ወይ ብእኡ ንፍላይ እተመዘዘ ወኪል እዩም ዘተግብርዎ።

መሬት-ሓማሴን መብዛሕትኡ ደሳ ወይ ሽፋ ኮይኑ ኣዋድቓኡ፣ ውሑዳት መሬት-ርስቲ እውን ይርከብዎ።

ኣብ መሬት ኣከለ-ጉዛይ ምድሪ ሽፋ-ምድሪ ርስትን ይዕብልሉ።

ሓፈሻዊ ስርዓት ሰራየ ድማ ምድሪ-ርስቲ እዩ። ኣብ ዝተረፉ ወረዳ «ደቂ-ወረስናዝጊ» ዝዝውተር ዋንነት-መሬት ድማ፣ ንናይ ኣከለ ጉዛይ-ሓማሴን ብዝመስል ስርዓት፣ ብማሕበርነታዊ ኣገባብ ይዋደቕ። ከምዚ'ሉ፣ ኣብ ምሉእ ደቂ-ተስፋ፣ ዋላ'ውን ኣብቶም ከም ናይ«ዓረዛ» ዝኣመሰሉ ሓያላት እንዳታት እንተኾኑ፣ብናይ ርስቲ-ኣገባብ ዝመሓደር መሬት ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ምድሪ-ርስቲ፣ ኣብ ቀረባ ከባቢ-ዓዲ ይርከብ። ኣብ ክንዲ ፍሉይ ቅውም-ንብረት ድማ፣ ሓድሕዳዊ-ሽለል(ምጽውዋር) ናይቶም ኣሃዱኣውያን ዝፈቕድዎ ንብረት ይመስሉ። ካብ ከባቢ-ዓዲ ርሒቖ ኢሎም ዝርከቡ መሬት፣ ብደሳ ይዋደቑ። ኪናኡ ድማ፣ ከም ክልሰ-ሓሳቡ ኣብ ምምሕዳር ናይቲ ጉልቲ ዝኣተው፣ "መሬት በረኻ"[1] ዝበሃሉ ንብረት ይርከቡ። ኣብዚእም ግና፣ እቲ ጉልቲ ናይ ምርጫን-ቀዳምነትን መሰል እዩ ዝሀልዎ። ኣብቲ ዝተርፍ መሬት፣ ዝኾነ ሰብ ኣመጻጽኣኡ ብዘየገድስ፣ ብፍቓድ ሹም-ጉልቲ ወይ ሹም-ዓዲ ናይ'ዚ በረኻ ዝበሃል መሬት ክሓርስ ይፍቀድ።

---

[1]- በረኻ ማለት ብሓፈሻኡ፣ ዝነደመ ወይ ሰብ ዘይነብር ቦታ ማለት'ዩ እንተኾነ፣ ዘይፈረ መሬት ማለት ኣይኮነውንን። ብእንጻሩ'ዩ ድኣ፣ ኣብ ምዕራባዊ-ገማግም ከበሳን/ጕላጕልን፣ ኣዝዩ ዝፈረ መሬት ኮይኑ፣ መሸላ-ጡዋን ብብዝሒ ይሕፈስ። ጸዋታ-ውሕስነት ስለ ዘይርከቦን/ ሓያል ኩነታት ባዝር-ኣየርን ስለ ዝፍራሕ እዩ ሰብ ብቀዋሚ ዘይነብርዎም። ናይ ጸዋታ ጉዳይ ማለት ኣብዚ ምድርታት'ዚ፣ ናይ ባዛ-ባርያ ራሲያታት ስለ ዘፍርሕ ማለት ክኸውን እንከሎ፣ ናይ ኣየር ኩነታቱ ድማ፣ ጻዕቲ-ሃሩር ጥራሕ ዘይኮነ፣ ብእዋን ኣኽራማት ንዝለዓሉ ሕማማት ዝምልከት እዩ።

ኣብ ቆሓይን እውን፡ ኣዝዩ ውሑድ ዝኾነ እዩ ኣብኡት ምድሪ-ርስቲ። ኣገባብ-ደሳ ይዕብልል። ኣብዚ ቦታ'ዚ ግና ስሙ ለዊጡ፡«ተወፋር»ይበሃል። ኣብ ቆሓይን፡ ብዘይካ እዚ፡ካልእ ኣዝዩ ደሞክራሲያዊ ዝኾነ ኣገባብ'ውን ብሰፊሑ ይዝውተር እዩ። «ምድሪ-ሕዋት» እውን ይበሃል። ናይ ኣዋድቓኡ ኣገባብ፡ንናይ ምድሪ-በረኻ እኳ እንተመሰለ፡ ካብኡ ጽብብ ዝበለ እዩ። ከመይሲ፡ እቲ ዛይዱ ዝተርፍ መሬት፡ምስ'ዞም ሰብ-መሰል ዝበሃሉ ወንንቲ፡ ናይ ሓባር መበቆል ንዘለዎም ህዝብታት እዩ ብቀዳምነት ዝፈቅድ።

ብዘይካ'ዞም ዝረአናዮም መልክዓት ዋንነት-መሬት፡ ንጥቕሚ ቤተ-ክህነት ተባሂሎም ዝውሰኑ፡ ምድር-ቐሺ ወይ ምድሪ-ፈሳሲ ዝበሃሉ ዋንነት እውን ኣለው። ኣገባብ ምምሕዳሮም ነቲ ኣብ ኢጣልያ እውን ዝዝውተር ይመስል። ብዛዕባ'ቶም ምድረ-ንጉስ ዝበሃሉ መሬት «ዶሚናለ» ዝምልከት፡ ድሮ ተገሊጹ እዩ።

ስለዚ ክበሃል ዝጸንሐ እምበኣርከስ፡ ብሰንኪ ውሽጣዊ-ምስሕሓብን/ እተኻየዱ ግዳማውያን ውግእትን/ ዝሰዓቡ ዓመጻትን/ ሃልቂ-ህዝብን፡ ኣዋድቓ መሬት-ሰራየ ብሓፈሻኡ «ርስቲ» ኮይኑ፡ ኣብ ኢድ ውሑዳት-ሰባት ይጥቕለል።

ውዒሉ-ሓዲሩ ግና፡ ንጉሳዊ-መዝነት ንዝተፈጸሙ ዓመጻት ወጊዱ ኣብ ግቡእ ማሕበራዊ ስነ-ሕጊ ተመርኲሱ ብፍላይ ኣብዚ ወረዳ'ዚ ንዝርከቡ ዕቑራት-መሬት ናብ ህዝባዊ-ዋንነት(ዶሚናለ) ምምላስ ተኻኢሉ ካልእ ዓይነት ኣዋድቓ-መሬት ምኽታል ስለ ዝከኣል፡ ብዛዕባ ኣብ ሰራየ ዝርከቡ «ምድሪ-ርስቲ» ኣሕጺርካ ምግላጽ ከድሊ እዩ።

ኣብ ሰራየ ዝርከብ መሬት ከም ምድረ-ርስቲ ተመሓዲሩ ኣብ ብዙሓት ብሕታውን-ውልቃውን ክፍልታት(ሎቶ) ተመቒሉ፡ ክምጽወት/ ክሸየጥ/ ክልወጥ/ ብውርሻ ክመሓላለፍ ይክእል እዩ። ብዝኾነ ግና፡ ፍሉይን-ኣገዳስን ቀይዲ ዘለዎ እዩ። ማለት፡ ዓዳጊ ወይ ተሻያጢ/ ወራሲ ኮነ ሓድሽ ወናኒ፡ ብዝኾነ፡ ወድ-ዓዲ ክኸውን ይግባእ።

መንግስቲ፡ ንዝተለቀቑን-ዘይሕረሱን-ግብሪ ዘይከፈሉን መሬታት ስሒቡ፡ «ዶሚናለ» ናይ ምባል ዘለዎ መሰል-ቀዳምነትን/ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ባህርያት ብሕታዊ-ዋንነት መሬት ተገንዚብካን፡ መንፈስ ናይ ከምዚ ዝበለ ቅድመ-ኩነት እበይ ከም ዝኣመተ፡ ብቀሊሉ ዝግመት እዩ።

ከም መጀመርያ ሳዕቤን ናይዚ መትከል'ዚ፡ ደቅ-ኣንስትዮ መሬት ክወርሳ ኣይፍቀድን ዘሎ። ናይ ውርሻ-መሰለን፡ ኣብ ገንዘብ-እንስሳዊ ጥሪት-ልብስታት-ስልማት-እኽሊ.... ዝኣመሰሉ ተንቀሳቓስቲ-ንብረት ይውሰን። እቲ ኣብ ምሉእ መረብ/ምላሽ ካብ ኣገባብ ዋንነት-መሬት ብዝፍለ መንገዲ፡ ከም ተንቀሳቓሲ-ንብረት ዝግመት መናበሪ-ቤት እውን፡ ብደቅ-ኣንስትዮ ክውረስ ይፍቀድ እዩ።

ምድሪ-ርስቲ፡ ብመስመር ዝቐረበ ዝምድና፡ ናብ ተባዕታይ-ጾታ ኣዝማድ መዋቲ እዩ ዝመሓላለፍ። ጸብጻብ-ወለዶ ኣዝማድ ምስ ዘይዝከር ድማ(ብሳሕቲ ዝገሃድ ኢጋጣሚ)፡ እቲ መሬት ከም ሓድሽ ክማሳሕ፡ ናብ ባይቶ-ዓዲ ይምለስ።

እታ ብሰንኪ ኣንስታይ-ጾታኣ ካብ ውርሻ እትእገድ ጓል-ኣንስተይቲ፡ ካብቲ ኣብ ክንዳኣ ዝትካእ ተባዕታይ ወራሲ፡ብገንዘብ ይኹን-ጥሪት-ወይ ካልእ ተንቀሳቓሲ-ንብረት ትኪሓስ። ብፍላይ ድማ ካብቲ ዝግባኣ ውርሻ፡ ብዘይካ መሬት ካልእ ንብረት ምስ ዘይበጽሓ።

ኣብ ትሕቲ ንግስነት ናይ'ቲ ከም ናይ መወዳእታ ንጉስ-ነገስት ዝፍለጥ ሃጸይ-ዮሃንስ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ክንዳኡ ድማ ራእሲ-ኣሉላ መረብ/ምላሽ የመሓድረሉ ኣብ ዝነበረ፡ ደቅ-ኣንስትዮ እውን መሬት ክውንና-ክወርሳን ተፈቒዱ። እዚ ሕግ'ዚ ግና፡ ኣብ ሓማሴን/ ኣከለ ጉዛይ ከይተተግበረ፡ ኣገባብ ዋንነት-መሬት ብዝሕዞ ፍሉይ ባህሪ፡ ኣብ ሰራየ ብፍላይ እዩ ኣብ ግብሪ ውዒሉ። ካብቲ ድሮ መሬት ብርስቲ ተመቒሉ ዝጸንሐ ዓድታት ክኒው-መረብ ዝመጸ ቅዲ እዩ ድማ።

ደቅ-ኣንስትዮ ካብ መሰል ውርሻ-ርስቲ ክእገዳ፡ ኣይማዕርነታውን። ብሕልፊ ድማ፡ እቦ ንውርሻ ከጽንሖ ዝኸእል ካልእ ንብረት ምስ ዘይህልዎን -ከምኡ ድማ እቲ ዝወረሰ ተባዕታይ ዘመድ ኮነ እቲ ዓዲ ብምልኡ ኣብ ክንድ'ቲ እተወርሰ-መሬት፡ ዝግባእ ካሕሳ ክቕርቡ ምስ ዘይክእሉን።

እቲ ብዮሃንስ እተገብረ ጽገና ግና፣ ናይ ሓቂ ዕላማኡስ ነቲ ጸረ-ምስፍሕፋሕ ትግራይ ኰይኑ ዝጸንሐ ሰልፊ ምድኻም ተባሂሉ እተወስደ ስጉምቲ እዩ ዝብል ምጥርጣር እውን ኣይተሳእናን። ምኽንያቱ ከምቲ ኣብ ሓድሓደ ቦታ ናይዚ ኣውራጃ'ዚ ዘጋጠመ፣ ምናልባት'ውን ብሓይሊ ተጠቒምካ ምስተን ውርሻ-መሬት ዝሀልወን ደቂ-ኣንስትዮ ስራዩ ብመውሰቦ ኣቢልካ ኣብቲ መሬት ምስርጫው ዝሓለነ ዕላማ እውን ከይኰነ ኣይተርፍን።

ምትእትታው ናይቲ ሕጊ ብዘዮገድስ ግና፣ ደቂ-ትግራይ መረብ ሰጊሮም ብዝወጹ፣ እቲ ዮሃንስ ዘእተዎ ሕጊ፣ ብኡ ንብኡ ፈረሰ። እዚ ድማ፣ ንዝነበረ እምብይታ ምግላጽ ዝኣክል እዩ።

ኣብ ሓማሴን ግና፣ ኣብቲ ውሑድ ዝርካቡ መሬት ርስቲ፣ ዘይመሰላ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ተባዕታይ-ዘርኢ ካብ ዘይገደፈ ወላዲ፣ መሬት ክወርሳ ፍቑድ እዩ። ኰይኑ ግና፣ ኣብ ዓዲ ክነብራ ይግደዳ። ብዘይካ ተባዕታይ-ውላድ ምስ ዝሞታ ድማ፣ እቲ መሬት ብውርሻ ናብ በዓል-ቤተን ኣይሓልፍን። ናብ ዝቐረበ ተባዕታይ-ዘመድ እዩ ዝምለስ።

****

IV.

ብሕታዊ ስነ-ሕጊ

ፈታው ሃጸይ ተድሮስ ዝነበረ "ሆማሊን" እተባህለ ውሩይ ገያሻይ፣ ነዊሕ-እዋን ኣብ ዓድ-ሓበሻ ድሕር ምጽናሕ፣ ከምዚ ስዕብ ይጽሕፍ፥ «...ዝሙት- ሞራላዊ ቀይድታት ዘይምኽባር ኣብ ደቀ'ባት ኣዝዩ ዝሰረተ ኰይኑ፣ ልዕለ-ሕጊ እዩ'ውን ክበሃል ይከኣል። ሰብኣይ፣ ሰበይቱ ትኹን/ኣዲኡ/ጓሉ/ሓወቱ/ ከይነሓፈ ንምንዝርና የወፍዮን። እዚ ኣመል'ዚ ዝውቱር እዩ፣ ነውሪ'ውን ኣይበሃልን። ቃል-ኪዳን ዝኣመሰለ ስርዓት፣ ግዳማዊ እዩ ትሕዝቶኡ። ብሳሕቲ ድማ ብሃይማኖታዊ-ኣገባብ ይፍጸም።....»።

እዚ ጀርመናዊ ገያሻይ ዘቕርቦ ተሪር-ፍርዲ፣ኣብ ዓድ-ሓበሻ ብሓፈሻኡ ሓቂ'ኳ ክበሃል እንተተኻእለ፣ መረብ/ምላሽ ንዝምልከት፣ ኣዝዩ ምእራም ዝግብእ ርእይቶ እዩ። ብሕ-ልፊ ኣብቲ ኣመንቲ ሃይማኖት-ምስልምና ዝዕብልሉ ክፍለ-ወገናት ኤርትራ'ኳ ጨረሱ መሰረት ኣይርከቦን። ከመይሲ ኣብ ሞንጎ ተኸተልቲ ናይዚ ሃይማኖት ዘበሉ፣ ኣመንዝራነት ከም ተርእዮ መጠን ኣይዝውተርን እዩ።

ብርግጽ ኣብ መረብ/ምላሽ እውን፣ ጾታዊ-ርክብ ንዝምልከት፣ ኣዝዩ ሓራ ዝኾኑ ልምድታት ይዝውተር። ኰይኑ ግን፣ ብሞራላዊ-ሓላፍነት ዝቕየድ ርክባት እዩ። እዚ ሞራላዊ-ቀይድታት፣ ኣብ ካልእ ቦታ፣ ከም ንኣብነት ኣብ ትግራይ ኣይርከብን። እተን ኣብ ግዝኣትና(ኤርትራ) ኣብ ናይ ኣመንዝራነት-ማእከላት ዝርከባ "ሽራሙጥ" ደቂ-ኣንስትዮ፣ ካብኡ፣ ካብ ትግራይ ዝመጻ እየን።

ብርእይቶይ(ደራሲ)፣ ኣብ ካልእ ቦታ ዘይርከቡ ኣወንታውያን ኣብነታት እውን ኣብ ግምት ምእታው ዝግባእ እዩ።

ብቃል-ኪዳን ዝእሰሩ ሰብኣይን-ሰበይትን፣ ኣብ ፍጹም ማዕርነታዊ መድረኽ ይርከቡን ምስ ዘይጸወሩ ድማ፣ ብማዕረ-መሰል ክፍትሑ ነጻ እዮም። ስለዚ ድማ እቲ ንጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ደረጃ ኣቕሓ-መሸጣ ዘሕስር ኩነት ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን።

ወረ'ውን እዚ ሓራ እንታይነት ኳል-እንስተይቲ እዝዩ ስለ ዝኸብር፡ ኣብ ልዕል እዚ ጾታ'ዚ ሓይሊ ኣይዝውተርን። ኣብ ዘጋጥም እውን፡ ሳሕቲ እዩ።

ኣብ ብዙሕ ኣጋጣምታት ከም እተገንዘብክዎ(ደራሲ)፡ ደቅ-ኣንስትዮ ሰብኣየን ፈቲሖን ኣብ ካልእ ሓዳር ጸኒሖን፡ ብሽምግልና-ልማና ኣብ ቀዳማይ ሓዳረን ምምላስ ንቡር እዩ።

ስነ-ሕጊ ቃል ኪዳን

ኣብ መረብ/ምላሽ ዝዝውተር ጾታዊ-ምትእስሳር፡ ናይ ብሓቂ ስሩዕ ቃል-ኪዳን ካብ ምዃን ተሪፉ፡ ውዕል ናይ «ሓባር-ናብራ» ክበሃል ምተኻእለ።

ንምስጋና መልክዕ ደቅ-ኣንስትዮ ናይዚ ዘበ'ዚ ድማ፡ ብውዕል ምስ ሓደ-ሰብኣይ ሓቢራ እትነብር ሰበይቲ፡ ምስ ካልእ ሰብኣይ ናይ ምርኻብ ዝህልዋ ስጋዊ-ድልየት፡ እዝዩ ሳሕቲ ዝኾነ ተርእዮ ምዃኑ ምዝኽኻር ይግባእ። ፍቶታ ክማርኽ ምስ ዘበቕዐ/ወይ ድማ ብሉጽ ኩነታት ናብራ--ሓዳር ክውሕስላ ምስ ዝኽኣለ ሰብኣይ ምስ 'ትጻመድ፡ ካብ ቀዳማይ-ሓዳራ ብስርዓት ተፋቲሓ፡ ብዘየሕፍር ኣገባብ እያ ናብዚ ዳሕረዋይ ትኣቱ።

ውላድ፡ ዕንቅፋት ኣይፈጥሩን። ሓደ-ስድራ ድማ ዝህልዎ ሓይልን-ክብርን ብብዝሒ ኣባላቱ ስለ ዝውሰን፡ ውላድ ከም ሃብቲ ተገሚቶም፡ ሓድ-ሓደ እዋን ኣብ ሞንጎ'ቶም ዝፈላለዩ ሰብ-ሓዳር፡ ምሳይ ዶ ምሳኻ ዝኣመስለ ሓያል ምጉት ይግበረሎም። እቶም ምስ ኣደ ሓቢሮም ኣብቲ ሓድሽ-ስድራ ዝኣትው ውላድ ድማ፡ ካብቶም ምስ ኣቦ ዝተርፉ፡ ካብ ዝኾነ ዓይነት መሰል ኣይበኾሩን።

ናብራ--ሓዳር፡ ንቡር ማሕበራዊ ኩነት እዩ። ስለ'ዚ እውን መንእሰያት ዕድመእም ብዝኣኸለ፡ ሻዓይሎም ሓዳሮም ይወጹ።

ደቅ-ኣንስትዮ ኣብ መበል 12 ዓመት ዕድመኦን ንመርዓ ይውሰና። ቅድሚ 16-17 ዓመት ዕድመ ግን ኣይወልዳን። ኣብ 14-16 ዓመተን እየን'ውን ሰላዕ ዝብላ። ውላድ ምውላድ ኣስጋኢ ዝበሃል ዕድመ'ውን፡ ብቕድሚ 40 ኣይበጽሓን። ብድሕር'ዚ ዝወለዳ እንተሎ፡ ምርኣይ እውን ሳሕቲ ኣይኮነን።

ቃል ኪዳን ብሓፈሻኡ -ብዘይካ ካልእ ፍቓድ- ብጽቡቕ ድልየት ሰብ-ውዕል ይፍጸም። ማንም ብቃል-ኪዳን እተኣሰረ ውልቀ-ሰብ፡ ኣብ ሓደ እዋን ምስ ካልእ ሰብ ብክምኡ ክዋሰብ ኣይፍቀድን። በዓል ቃል-ኪዳን ብሞት ምስ ዝፍለ፡ እቲ ዝተረፈ ብጸዩ ዳግም ክምርዖ ይፍቀዶ። ፍትሕ ይዝውተር እዩ። ፍቕሪ ብዘብቀዐ፡ ብምሕዝነታዊ-ኣገባብ ይፍጸም።

ብወገን ሰበይቲ ኮነ ሰብኣይ፡ብምዝማው ኣብ ኪዳን ዘይምጽናዕ፡ እኹል ናይ መፋትሒ ምኽንያት ይኸውን። ዘማዊ-ወገን ብሕጊ እውን ምቕጻዑ ይከኣል።

ብግሁድ(ብጭብጢ) መሰሉ እተዘለፈ-እተዋረደ በዓል-ቤት፡ ናይ ባዕሉ ፍትሒ ክጥቀም መሰል ይህልዎ። ብናይ ብዕልግና ጠባያት እተፋነወት ወይ እተፈትሐት ሰበይቲ ምእ-ታው እንጻር በዓል-ቢታ ዝፍጸም በደል ተባሂሉ፡ብዓቢ ዘቀያይም ነውሪ እዩ። 'የግዳስ፡ ተፋቲሖም ዝጸንሑ ሰባት፡ ተዓሪቖም ብሓባር ክምለሱ ምርኣይ እዩ'ቲ ልሙድ።

መልክዓት ቃል-ኪዳን ወይ ብዝበለጸ ዘቤታዊ-ናብራ፡ ኣብ ሰለስተ ደረጃ ይኽፈሉ፥

- -መርዓ ቃል-ኪዳን፡ ንወግዓዊ ምትሕብባር።
- -ብውዕል ዝፍጸም መውስቦ -ሰብ ደሞዝ-።
- -ምስ ገረድ ዘሕድር ናብራ -ምግራድ-።

መርዓ ብቃል-ኪዳን፡ ብሕጽር ዝበለ "ሲቪላዊ" ኣገባብ ኣብ ቅድሚ ጭቃ-ዓድን-/መሰኻኽርን/ዋሕሳትን ይፍጸም። በዚ ኣገባብ'ዚ ዝምርዓው ሰብ-ኪዳን፡ ናይ ፍትሕ መሰሎም እውን ይዕቅቡ። እዚ ኣገባብ-መርዓ ብዝያዳ ክብሪ ንክፍጸም፡ ብሃይማኖት

እውን ይባረኸ እዩ። ነዚ ድማ ካህን እዩ ሓድሕዳዊ ጽቡቕ ድልየት ሰሚዑ -ግቡእቶም ኣዘኻኺሩ -ናይ እምነት ማሕላ ኣፈጺሙ፡ መርዓውን-መርዓትን ምኳኖም ዚገልጽ። እዚ ዳሕረዋይ ኣገባብ እተሓወሶ ቃል-ኪዳን ግን፡ ፍትሕ ኣይፈቅድን። ሞት ሓዲኦም ምስ ዘጋጥም ግን፡ እቲ ብህይወቱ ዝተረፈ እንደገና ብቕዱስን-ወግዓውን ኣገባብ፡ ዳግማይ-መርዓ ይፍቀዶ።

ከም ዝመስሎ ድኣ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ብዝተኣታተወ ጽዩቕ-ባህሊ፡ ብከምዚ ኣገባብ እተኣሰረ ቃል-ኪዳን እውን ተፈቲሑ፡ ብተመሳሳሊ ቅዱስ-ኣገባብ እንደገና ምምርዓው ይልመድ ኣሎ። ብሲቪላዊ ደኹን-ሃይማኖታዊ ኣገባብ ዝፍጸም ቃል-ኪዳን፡ ንሰረት ናይቲ ዘቤታዊ-ትካል ተባሂሉ፡ ብውዕል፡ ብመርዓት ዝወሃብ ገዘምን/ መርዓዊ ዝቐርቦ ህያባትን ተደሚሩ፡ ናይ ሓባር ንብረት ሰብ-ኪዳን ይኸውን።

ፍትሕቲ ሰበይቲ፡ ብኡንብኡ ሰብኣይ ክተእቱ ፍቑድ እዩ። ኣብ ሞንጎ ኣብ ዘሎ እዋናት ከኣ፡ ቅድሚ ሸውዓተ-ወርሒ ምስ እትወልድ፡ እቲ ውላድ፡ ናይ ቀዳማይ ሓዳራ ይበሃል፡ ብድሕር'ዚ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ኣብ ካልኣይ ሓዳራ ይኣቱ።

ፍትሕ ብስምምዕ ክልተ-ወገናት ምስ ዝፍጸም፡ እቲ ብቃል-ኪዳን ኣብ ሓባር ዝኣተወ ንብረት ብማዕረ ይምቀል። ፍትሕ ዘኸተለ ጠንቂ ግና፡ ብዝተረጋገጸ ርእይ ጉድለት ሓደ-ወገን ምስ ዝኸውን፡ ብጽሒት ንብረት ናይቲ በዳሊ(ዝበደለ)ወገን፡ ናብቲ እተጉድኣ ብጸዩ ይጥቕለል።

መበለት/ማእምን ኣብ ካልኣይ ሓዳር ቅድሚ ምእታው፡ ሓደ-ዓመት ክትጸንሕ ይግባእ።

ናይ «ሰብ-ደሞዝ» ዝበሃል ኣገባብ ድማ፡ ናይ ብሓባር ምንባር ዝፍጸም ውዕል እዩ። ብመሰረት'ዚ ድማ፡ በዓል-ቤት ዝህልዎ ግቡእት፥

1)-ኣብ ቅድሚ ዋሕስ-መሰኻኽርን ንዝውሰን ዓመታዊ ገምጋም-ዋጋ ንመናብርቱ ክኸፍል። እዚ ድማ፡ ብሕታዊ ዋንነት ናይታ ጓል-ኣንስተይቲ ኰይኑ ይተርፍ።

2)-ንሓባራዊ ንብረቶም ዝሕተት ወጻኢታት ይኸትት። ብ ደሞዝ ዝኣተወት ጓል-ኣንስተይቲ ድማ፡ ንዘቤታዊ-ዕዮ ትግደድ። ብፍላይ ንክሽን። እቲ ዝተርፍ ካልእ ነገር ግን፡ ብስምምዕ ሰብ-ውዕል ይውሰን።

እዚ መውስቦ'ዚ፡ ብምርጫ ሓደ-ወገን ክፍታሕ ይክእል። ተቓውሞ እውን ኣይቀርበሉን። ኰይኑ ግን፡እቲ ንዓመት ክፍለየላ ስምምዕ እተገብረሉ ገንዘብ ብ 12 ወርሒ ተመቒሉ ዝኸውን ወርሓዊ-እቶት፡ ምስ ፍቕዲ ብሓባር ዝነበረትሉ እዋናት ተገሚቱ፡ ካሕሳ ይኸፈላ። ውላድ ንዝምልከት ጉዳይ ድማ፡ እቲ ኣብ ስርዓት ቃል-ኪዳን ዝዝውተር ኣገባብ ይኸተል።

3)-ብምግራድ(ገረድ) እትኣቱ ሰበይቲ ዝህልዋ ደረጃ-ኣኽብሮትን፡ ኑቲ ናይ በዓልት-ደሞዝ እዩ ዝመስል። ካብኡ ዝፍለ ግን፡ ዓመታዊ-ደሞዛ ዝያዳ ክነሱ ኣብ ዘቤታዊ-ዕዮ ኣይትግደድን። ምስኣ ሓቢሩ ዝነብር ሰብኣይ ድማ ንቅውም ናብራ ኣይሕተትን።

ኣብ መርዓ ብቃል-ኪዳን ዝወሃብ ገዘሚ ኰነ/ ሰለስቲኡ ኣብ መረብ-ምላሽ ዝፍጸም ኣገባብ መርዓ ብሓፈሻኡ፡ ኣብ ቅድሚ 6 መሰኻኽርን(ሰለስተ ምስክር ንነፍስ-ወከፍ ወገን) -ኣቦን(ምስ ዘይህሉ ድማ፡ ብኣባልገ ይትካእ) እዩ ብወግዒ ዝፍጸም። እዚኦም እዮም ድማ ዋሕስ ዝዓግቱ።

ኣብ መርዓ ብቃል-ኪዳን ንኣብነት፡ ሰለስተ ዓርከ-ርእሲ ገዘሚ ተቐቢሎም ምስ ኣዝማድ እንዳ-ጓል ውዕል ብዝፈጸሙ፡ ናብታ መርዓት ይቐርቡ'ሞ፡ የማናይ ኢዶም ኣብ ርእሳ ኣንቢሮም፡ ብከምዚ ዝስዕብ ማሕላ ይኣትውላ፥ « ከም'ቲ ሳራ ንይስሓቕ ወድ ኣብርሃም መሓዛ ዝኾኑቶ-መሓዛ ክትኮንና፡ ጓህኺ-ጓህና/ሓጐስኪ-ሓጐስና፡ ብሰብኣይኪ ምስ ትግፍዒ ወገንኪ ክንከውን፡ ኣብ ዝሃለኺ-ሃልዊ፡ ዓዊርኪ/ሓንኪ-ስኪ/ሓሚምኪ/ ኣይንጠልምን...» ቢሎም ቃል ይኣትው።

እዚ መብጽዓ'ዚ ከንቱ ኣይኮነን። ውትሩ ድማ ዋላ'ውን ብዓቢ መስዋእቲ ብእምነት ዝትግበር እዩ። እዚ ዓርከ-ርእሲ ምስታ መርዓት ዝነብርዎ ምትእስሳር ዝህልዎ ክብሪ

ዘረድእ፡ ዋላ'ውን ማእምን ምስ እትኸውን፡ ብዝኾነ ካልእ ኣገባብ ክምርዓውዋ/ ክመርዕውዋ ክም ዘይፍቀድ ምጥቃስ ኣኻሊ እዩ። እዚ ምስ ዝጥሕሱ ድማ፡ ፍንፉናት/ርጉማት ተባሂሎም፡ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ኩኑናት እዮም።

መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ን "ምፍታን" ተባሂሉ ዝፍጸም ናይ ደሞዝ መውስቦ እዩ ክም መቐጸልታ፡ ናብ መውስቦ ብቃል-ኪዳን ዝሰጋገር። ሰብ ሓዳር፡ ብዛዕባ ኣብ ሓድሕዶም ዘሎ ፍቕሪ ኣጸቢቖም ምስ ኣረጋገጹን -ስጋዊ ስምዒታት ሃዲኡ ኣብ ውላድ ምስ ተበጽሑን፡ ናይ ሓባር ናብራኦም ብ ቃል-ኪዳን ባረኾም ይዛዝሙ።

መውስቦ ብቃል-ኪዳን፡ ኣብ ልኡላን-ደርቢ ናይዚ ሕ/ሰብ እዩ ዝያዳ ዝዝውተር። መብዛሕትኡ ጊዜ ድማ፡ ዕርክነት/ዝምድና/ሻርነት...ወ.ዘ.ተ. ንምድልዳል ተባሂሉ፡ ብወለዲ እዩ ዝሕተት። እቲ መውስቦ ብሞንጎኛታት ይከናወን። መብጽዓ ዝፍጸም ድማ ደቃቶም ገና ብህጻናቶም እዩ። ጸቢብ ርክቦም ዝጅምር፡ ሰብኣይ 15 ዓመት -ሰበይቲ ድማ 12 ዓመት ምስ መልኡ እዮም። ከምዚ ዝኣመሰለ መብጽዓ ምኹሓድ፡ ዓቢ በደል ተባሂሉ፡ክም ጋር-ነብሲ(120 ቅርሺ) እዩ መቕጻዕቱ። ዘይርኹባት ግና ብ 30-ቅርሺ እውን ይዳንዩ እዮም።

እዚ ንደቆም ወኪሎም ወለዲ ዝኣትውዎ መብጽዓ፡ በቶም ውሉዳት ክፈርስ ኣይግባእን። ብዝኾነ፡ ኣብ ሓዳሮም ሕጉሳት ምስ ዘይኮኑ፡ ብድሕር ውሑድ-መዓልታት'ውን ክሰናበቱ ነጻ እዮም። ብድሕር'ዚ ድማ ብዘይካ ፍቓድ-ወለዶም እውን እንደገና ክምርዓው ይፍቀድ።

ናይ መርዓ መብጽዓ ተገቢሩላ ዝጸንሐት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ብሰጋ ምስ ካልእ ተባዕታይ ተዋሲባ ጥንሲ'ውን ምስ ዝሰዕብ፡ ኣይትቕጻዕን። ዘጥንሰ ሰብኣይ ንመርዓ ተሓቲቱ ምስ ዝነጽጎ ድማ፡ እቲ ህጻን ኣብ ምውላዱ ተዓቢሱ ይቕተል። ብድሕር'ዚ ድማ፡ እቲ ዓገብ ዝፈጸመ፡ ንሕጹያ ብ 120-ቅርሺ ይኽሕሶ። እታ ጓል ግና መብጽዓ ዘይወደቓ ነጻ ዝጸንሐት ምስ ትኸውን፡ ዘስሓተ ሰብኣይ ኣብ ሓማሲን ብዘይካ ቀለብ ቁልዓ ካልእ ኣይሕተትን። ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ብመርዓ ክሕውዮ ወይ 50-ቅርሺ ክኸሕስ ይሕተት። ክምኡ'ውን ኣብ ሰራዩ። ኣብዚ ግን እቲ ካሕሳ ብ 10 ቅርሺ ይዳነ።

ርግጽንት ኣቦ-ቈልዓ ንምፍላጥ፡ ማሕላ ጓል-ኣንስተይቲ እኹል ጭብጢ እዩ።

እቲ ኣቕዲሙ ብዛዕባ ህጻን ኣብ ምላዱ ዓቢሰም ይቕትልዎ እተባህለ ልምዲ ግና፡ ሎሚ ፈጺሙ ኣይዝውተርን።

ኣብ እዋናት ሰላም-ምርግጋእን፡ ኣብ ሞንጎ ኣዝማድ፡ መርዓ ኣይፍቀድን። ቀይዱ ድማ ክሳብ ዓሰራይ-ወለዶ እውን ይበጽሕ። ኣብ ጊዜ ናዕቢ-ዕግርግርን ግና እቲ ዝውሰን ቀይዲ ውሑድ ዝበለ ኩይኑ፡ ክሳብ ሓሙሻይ-ወለዶ ይጽብጸብ። ዕላማ ናይዚ ዳሕረዋይ ኣገባብ ድማ፡ ዝያዳ ንምሕባርን-ዝምድናዊ ምትእስሳር ምጽባብን እዩ ዝነበረ።

እዚ ብ "ኣይተ-ሓድሽ" እተነግረኒ ኣገባብ ግና፡ እምነት ካብ ምኚን ሓሊፉ ኣብ ግብርስ ኣይከምኡን ዝነበረ። ምኽንያቱ ድማ "ኣይተ-ጉፎ" በዓል መርሓና ብጽቡቕ ቃላት ክም ዝገልጽዎ፡ ኣብ ግብርስ፡ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሓደ-ነገድ ወይ ደቂ-ደቂ ዋላ እውን ደረጃ ዝምድናኦም ኣዚዩ እተረሓቐ ምስ ዝኸውን፡ ናይ ሓባር ጨንፈሮም ኣዝዩ ጥንታዊ/ ኣብ ሓደ ዓዲ ተወሊዶም-ምስ ዝነብርሉን/ ደቅ-ሓደ ሩባ ሓደ-መሬትን ስለ ዝበሃሉ፡ መውስቦ ኣይፍጸምን።

እቲ ቦኽር-ነገድ(ወይ ደቃ-ደቂ)ኣብ ክልተ-ጨንፈር ተገሚዑ ኣብ በበይኖም ዓድታት ምስ ዝነብሩ፡ ኣብ ሞንጎ ዘርኦም ዝፍጸም መውስቦ፡ ሸውዓተ-ወለዶ ይጽብጽብ። ማለት ካብቲ ናይ ሓባር ፈራይኦም ብሸውዓተ-ወለዶ እተረሓሓቑ ክኾኑ ይግባእ።

ካብዚ በሪሁ ክም ዝቐርብ፡ እቲ ኣብዚ ዓድ'ዚ ጥንታዊ ዝኾነ ኣገባብ መውስቦ፡ ክሳብ ደረጃ ሻድሻይ-ወለዶ ኣዝዩ ጽኑዕ እዩ ዝነበረ። ክም ሳዕቢን ናይዚ እዩ'ውን እቲ ኣብ ኣገባብ-መርዓ ፍሉይ መልክዕ ዝሓዘ ናይ "ምዝራፍ" ምስሉይነት ዝዝውተር።ተዓቂቦም ዝጸንሑ ዝኸረን-ጥንታውያን ባህልታት ኣገባብ መርዓን፡ ብዙሓትን-ፍሉጣትን እዮም[2]።

[2]- ወ/ሮ ሮዛልያ ፒያናቪያ ቪቫልዲ ፡ኣብቲ «ሰለስተ ዓመት ኣብ ኤርትራ»(ሚላኖ-ቤት/ማሕተም ኮሊያቲ, 1901 ገጽ 70) ዘርእስቱ ጽሑፋ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ክዝውተር ዝጸንሐ ባህላዊ-መርዓ፡ ብንጹር-ልክዕን ኣገባብ ትገልጾ።

መልክዓት መውስቦ ብዘየገድስ፡ ምፍታሕ(ፍትሕ)ኣብ ዘጋጥም፡ ናይ ውላድ ሓላፍነት ዝወስዱ፡ ኣቦን-ኣደን ብሓባር እዮም። ቈልዓ ናይ ወላዲት ክንክን ምስ ዘድልዮ፡ ምስ ኣደ ይጸንሕ። ኣቦ ድማ እቲ ህጻን ሳልሳይ-ዓመት ክሳብ ዝመልእ፡ሓደ ወርሒ እናጸ-ቐጠ ንቀለብ ይሕተት። ብድሕር'ዚ፡ እቶም ደቂ ንነፍሲ-ወከፍ ወላዲ ማዕረ ይብ-ጽሕዎ። ቦኽሪ-ወዲ ናብ ኣደ/ ቦኽሪ-ጓል ነ'ቦ/ - ካልኣይ ተባዕታይ ውላድ፡ ነ'ቦ/ ካልኣይቲ ጓል ነ'ደ/..... እናበለ እቲ ምቕሊት ይቕጽል። ዝኣመሰለ ኣገባብ ግና፡ ስነ-ሕጊ ንዝምልከት ድኣ'ምበር፡ ኣብ ግብርስ ህጻናት ናብ ዝመረጽዎ ወላዲኦም ይጥርነፉ። ወላዲት ኣብ ካልእ ሓዳር ምስ ትኣቱ፡ ምስኣ ዝጸንሑ ውላድ ናብ ኣቦኦም ክምለሱ ነጻ እዮም። ኣብዚ ጉዳያት'ዚ ዘጋጥሙ ምስሕሓብ፡ ሳሕቲ እዮም። ብዘበለ ኣቢሉ ኣብ ልዕል ውላድ ዘሎ ፍቕሪ ዓሚቝ ስለ ዝኾነ። ሰይተ'ቦ ትኹን-ሰብኣይ ኣደ፡ ነቶም ብካልእ ተወሊዶም ኣብኦም ዝጽምበሩ ደቂ፡ ማዕረ-ደቆም ይሓልዩን ይከናኸኑን።

ስልጣን ኣባታውነት

ኣቦ ኣብ ልዕል-ውላዱ ዝህልዎ ስልጣን፡ ክሳብ'ቲ ውላድ «መንደላይ» ተባሂሉ ዝፋኖ ጊዜ ይዝውተር። ንዝሓንገደ ውላድ መቕጻዕቲ ይፍቀድ። እዚ ግን ክሳብ ደረጃ መግረ-ፍቲ ይበጽሕ። ኣቦ ምስ ዝመውት፡ ውክልና ናይቶም ዘይመሰሉ ውላድ፡ ናብ ኣደ ይመሓላለፍ። እዚኣ ግን ኣብ ካልእ ሓዳር ምስ ትኣቱ፡ ብውርሻ ዝሖጸ ንብረት ኣቦ 'ቶም ቈልዑ፡ ዋሕስ ይዕንተሉ። ወኪል ተባሂሉ ነቲ ንብረት ዝጥርንፍ ድማ፡ መቕረባ ዘመድ ኣቦ እዩ። ኣደ እውን ቅድም ሰብኣይ ምስ ትመውት፡ ወትሩ መቕረባ ዘመድ ኣቦ እዩ ሕጋዊ-ወካሊ ናይቶም ህጻናት ዝኸውን። ውክልና ዝዓርፍ፡ እቶም መንእሰያት ንመርዓ ምስ ዝበቕዑ እዩ።

ማሕበራዊ ደረጃ ወድ-ሰብ

ውላድ ብዝኾነ ኣገባብ ተወሊዱ፡ኩሉ ሕጋዊ ተባሂሉ ማዕረ እዩ መስሉ። ኣብ መረብ/ ምላሽ ብምሉኡ-ብዘይካ ኣብቲ ድሮ እተጠቕሰ ድምበዛን- ልኡላን ዝበሃሉ ማሕበራዊ-ጉጅለ ኣይርከቡን።

ቦኽሪ-ውላድ ናይቶም «ሹም-ዓዲ» ወይ «ሹም-ጉልቲ» ዝብል መዝነት ብውርሻ ዝፍቀደሎም እንዳታት እዮም ድማ ንበይኖም ሹማግለ(ልኡላን-ደርቢ) ዝበሃሉ።

ብሕገ-ስርዓቱ፡ ባርነት'ውን ኣይፍቀድን ዝነበረ። ወረ'ውን ክምቲ ኣብ እዋኑ እተጠቕሰ ባሮት ምግዛእን ኣብ ንግድ-ባርነት ምውፋርን፡ ሓያል መቕጻዕቲ እዩ ዘኸትል ነይሩ። ዓዳጊ ግን ነቲ ጊላ ከም ውላዱ ክከናኸን ብዝብል ውዕል፡ ጊላ ምግዛእ ኣይክልከልን ዝነበረ።

እቲ ጊላ እስላማይ ወይ ኣብ ጣኦት ዘምልኽ ምስ ዝኸውን፡ ክጥመቕ ይግባእ። ከምዚ'ሉ ድማ ክርስትያን ከም ጊላ ምሻጥ እተኸልከለ ብምንባሩ፡ እቲ ንግድ ነቶም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ክልተ-ዜጋታት እዩ ዝምልከት ዝነበረ። እተጠመቐ ጊላ ምሻጡ ስለ ዘይከኣልን -ብዝነበረ ቀይድታትን/ናይ ንግድ ጽንኩርነትን ግና፡ እዚ ዓይነት ንግድ'ዚ ጸቢብ እዩ ዝነበረ ዕድላቱ። ኰይኑ ድማ፡ ኣብቶም ሃብታማት ዝበሃሉ ሰብ ከተማን/ ኣብ ምዕራባዊ-ቆላ ካብ ዓሌታት ባርያ-ባዛ-ሻንቅላ- ብቀሊሉ ምጥራዮም ስለ ዝከኣልን፡ ኣብዚ ክልተ ቦታ እዩ ብብዝሒ ክዋፈር ጸኒሑ። ንሸያጣይ ከንንፎ ብዝኸእል መቕጻዕቲ ግን፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ እውን እቲ ንግድ ብሕቡእ እዩ ዝሰላሰል ነይሩ።

ጕይታ ኣብ ልዕል ጊላኡ ዝህልዎ ምልኪ፡ ማዕረ'ቲ ኣብ ልዕል ዘይመስሉ ደቁ ዘዘ-ውትሮ እዩ። ኩሉ'ቲ ብጊላ ዝኣቱ መኽሰብ፡ ንጕይታኡ ይብጽሖ። እዚ ድማ ከም ኣባል ናይቲ ስድራ ነቲ ጊላ ክከናኸኖ ይግደድ።

ጊላ ኣብ ኣቢያተ-ፍርዲ ኣይቀርብን። ንጕይታኡ ኣብ ዝምልከት ጉዳያት ድማ፡ ንምስክር ኣይበቕዕን። ብዘይካ ፍቓድ ጕይታኡ፡ ከዋሰብ ኣይከእልን። ካብኡ እተወልዱ ድማ፡ ጊላታት ናይቲ ጕይታ ይኾኑ። ኣብ ሳልሳይ ወይ ከምቲ ኣብ መብዛሕትኡ ዝዝውተር፡ ኣብ ሓሙሻይ ወለዶ፡ ካብ ጊላ እተወልዱ ሓራ ተባሂሎም ብምሉእ መሰል ከም ኣሕዋት ኣባላት ናይቲ ዓዲ ይኾኑ።

ጕይታ ግን ኣብ ዝኾነ እዋን ኑቶም ኣብ ቤቱ እተወልዱ ጊላታት ይኹኑ/ተገዚኦም ዝመጹ ሓደስትን፡ ሓራ ክለቖም ይኽእል።

ሓራ እተባህለ ጊላ፡ ምስ ደቅ-ዓዲ ብመውስቦ'ውን ክዛመድ ይፍቀድ። ክምዚ'ሉ ሓራ ምስ ዘይበሃል ግን፡ ዋላ'ውን ብድሕር ሳልሳይ ወይ ሓሙሻይ ጊላዊ-ወለዶኡ ብመሰል ስነ-ሕጊ ሓራ እንተተባህለ፡ ምስ ደቅ-ዓዲ ክዋሰብ እተኸልከለ እዩ።

ሓራ እተባህለ ጊላ ይኹን/ እቲ ብመሰል ወለዶኡ ሓራ ክኸውን ዝኸኣለ፡ ኣብ ማሕበር ዓዲ ክሳተፉን-ዝሕረስ መሬት ክሓቱን መሰል ይፍቀደሎም።

ብመሰረት ናይቲ ብሓባር ምንባር/ምብላዕ-ምስታይን/ ዝፍጠር መንፈሳዊ ዝምድና፡ ጊላታት ክም ውሉድ ወይ ኣሕዋት ስለ ዝግመቱ፡ ምሳታቶም መውስቦ ምፍጻም ኣይከኣልን። እዚ ምውህሃድ'ዚ ግን፡ ብናይ ህዝቢ ርእይቶ ድኣ ኩኑን ይበሃል እምበር፡ ሕጋዊ ሳዕቤን ዘኸትል "ፈናፍንቲ" ኣይበሃልን።

ምስ ጕይታኦም ዝዋሰቡ ተባዕታይ ወይ ኣንስተይቲ ጊላ፡ ብኡንብኡ ሓራ ይኾኑ።

ክምዚ'ሉ እተጻበበ ጊላውነት ፈጺሙ ብሕጊ እተወገደ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ንጉስ-ዮሃንስ ድኣ ይኹን'ምበር፡እቲ ትእዛዝሲ ብምሉኡ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን። ኢጣልያ ክበሳ ኣብ ዝኣተወሉ እዋናት'ውን፡ ጊላታት ነይሮም እዮም። ኣብ መበቆላዊ-እንዳኦም ክምለሱ ድማ ስነ-ሕጊ ኢጣልያ እዩ ዳንይዎም። ክም ሓቂ ክፍለጥ ዝግባእ ግና፡ ኣብ መረብ/ምላሽ ክዝውተር ዝጸንሐ ጊላውነት፡ ክምቲ ንሕና(ኢጣልያ) እንግምቶ ኣይኮነን ዝነበረ። ነዚ ዝገልጾ ድማ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ እቶም ሓራ እተባህሉ ጊላታት፡ኣብ ክንዲ ናብ ቦታኦም-ኣዝማዶምን ምምላስ፡ ምስ ጥንታውያን ጕይቶቶም ምትራፍ ይመርጹ ነበሩ።

ናይ ደም ሕነ

ብመውስቦ ዝፍጸም ምትእስሳር ኣዝዩ ድኹም ኮይኑ፡ ጸታዊ-ርክባት ብሓራ ምዝውታር ዝብል ኣታሓሳስባ'ኳ እንተዓብለለ፡ ኣብቲ ብደረጃ ኣቦታት(ደቃ-ደቂ ወይ ነገድ) እተመስረተ ማሕበራዊ-ስርዓት ብምሉኡ፡ ዝምድናዊ ምትእስሳር እዩ ድኣ ዚያዳ ሓይልን ትርን ዘለዎ ስምዒት። ምእንት'ዚ'ውን ሕነ ናይ ምፍዳይ ኣገባብ ዝውቱር ይኸውን።

እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ኣብ ኩሎም'ቶም ክምዚ ዝኣመስለ ማሕበራዊ-ስርዓት ዝኸተሉ ሕ/ሰብ ንቡር ኮይኑ ንረኽቦ። ዝኾነ ዓይነት ስነ-ሕጊ'ኳ እንተዘይፈቕዶ፡ብልምዲ እዩ ጸኒሑ። ሕጊ ግና፡ ይቃወሞን-ይውግዶን እዩ። ሕጋዊ-ስልጣን እዩ ንውልቁ ናይ ፍርድን-መቕጻዕቲ ዝበናትን መሰል ክህልዎ ዝግባእ። ልምዲ ግን፡ ልዕል ሕጊ እዩ ጸኒሑ።

ኮነይሉ ዘይተፈጸመ መቕተልቲ/ ኣብ ኩናት ንዘጋጠመ/ ብሕጊ እተኣዘዘ ቅትለት/ ንሕጋዊ ነብሰ-ምክልኻል/ ኣብ ትሕቲ ውክልና ንዝጸንሐ ሰብን-ንብረትን ጠንቂ ሓደጋ ኮይኑ፡ዝባን-ንጉስ ተባሂሉ ክብቅዕ፡ ብምቕጻል ናይቲ ግፍዒ ክቕትል እተገደደ/ ዘበሉን ዝኣመሰሉን ቅትለታት ኩሎም፡ ናይ ደም-ሕነ ኣይግበረሎምን።

ናይ ደም-ሕነ፡ መፈጸምታ ኣይርከቦን። ክተግብሮ ዝግደድ ድማ፡ ዝኸውን መቕረባ ዘመድ መዋቲ እዩ።

ብቕድም'ዚ ግን ቤተ-ሰብ መዋቲ ሰዒቡ ንዝቕጽል ናይ ደም ሕነታት ንምዕጋት፡ ናብ ስድራ ቀታሊ ቀሪቦም፡ እቲ ዝለዓለ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ባዕሎም ንኽፍጽሙ ዕድመ ይገብሩሎም። እዚ ምስ ዝፍጸም ድማ፡ ሕነ ይዓርፍ። ንጊላ እውን ክም ኣባል እንዳ ጕይታኡ፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ሕነ ይፍደዮ።

መቕሰልትን/ ቕንጸላ ኣካላት-ነብስን እውን ብከምኡ ኣገባብ ይዳኑ።

ጋር-ነብሲ ክፈልካ ብገንዘብ ዝፍጸም ካሕሳ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ተቐባልነት ኣይረክብን። ምኽንያቱ ብዘይካ'ቲ ንሕነ ዘበግሶ ባህርያዊ-ስምዒታት፡ ናይ ዓሌት ትምክሕቲ እውን ስለ ዝሕወሶ በዝማድ እውን ክይተረፈ፡ ጋር-ነብሲ ዝበልዐ፡ በዓል ትሑት ሓቦ ተባሂሉ ስለ ዝነዓቕ። ንመቕሰልትን/ ቕንጸላ ኣካላት-ነብስን ዝምልከት ግና፡ እዚ ናይ ካሕሳ ኣገባብ ዕሽሽ ይበሃሎ እዩ።

እንዳዊ-ምትእስሳር

ብመሰረት ናይ ከምዚ ዝኣመሰሉ መትከላዊ ዝምድና፣ ከምቲ ድሮ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ እተጠቕሰ፣ ብዕዳ ይኹን ብመቕጻዕቲ ቤት ፍርዲ ዝኸሰሰ-ዝእሰርን ኣባል ሓደ-ስድራ፣ ብምሉኡ'ቲ ዘመድ ተኣኪቡ ጾር ናይቲ ክኸፈል ዝግባእ ዕዳ ይካፈሉ።

እዚ ግዳማዊ-መልክዕ ዘነጽር ረቛሒ ክኸውን እንከሎ፣ ስምዒታት ንዝምልከት፣ ውሉድ ንወላዲኡ ኣዝዩ ከም ዘኽብርን-ዝምእዘዝን፣ ወላዲ እውን ንውላዱ ዓሚቑ ፍቕርን-ልግስናን ከም ዘለዎ ምጥቃስ ኣድላዩ እዩ።

ካብ ዘሎ ዘቤታዊ ፍቕሪ፣ ፍሉይ ቆላሕታ ዝግቦእ፣ እቲ ንሓው/ሓውትን ዝእስር ፍቕሪ እዩ።

ጾታዊ-ዝምድና፣ውሕስነት ዘይርከበን/ድኹምን ብምዃኑ፣እቲ ንብጻይን-ብጸይትን ብሓባር ምንባር ተፈታዊ ዝገብር ውሽጣዊ ፍቕርን- ናይ ሓድሕድ ሓልዮትን፣ መብዛሕትኡ ጊዜ ከይዓምበበ ይውንዘፍ። ተባዕታይ-ጾታ ምስቲ ብተፈጥሮ ዝዕደሎ፣ ሓሳብ ቆረጽካ ምውሳን -ስጉምቲ ደምዲምካ ምትግባር ዝኣመሰሉ ባህርያት/ ምስቲ መስተውዓልን -ዳናይን -ጥንቋቕን ስምዒት እንስታይ-ጾታ፣ ብዘግባእ ምስ ዝዋሰብ እዩ መንፈሳዊ ህይወት ብምልኣቱ ዝዓንብብ። ብናብራ-ሓዳር ኣብ እተጸመዱ ሰብ ከምዚ ዝኣመሰለ ርክባት-ኣተሓሳስባን ብዘይምህላው እዩ መብዛሕትኡ ጊዜ እታ ሰበይቲ ምስ ሓዋ/ ሰብኣይ ድማ ምስ ሓውቱ ዝያዳ ዝቀራረቡ።

ከምዚ ዝኣመሰሉ ትምህርታት ስነ-ኣእምሮ ኣገደስቲ ክኾኑ፣ ኣብዚ ምስፋሑም ኣድላዪ ኣይኮነን። ዝሰዕብ ኣብነት ምጥቃስ ኣኺሊ እዩ፥ ኣብ መሳርዐይ(ደራሲ) በዓልቲ-ቤቱ ዝቐበረ "ዓስከር" ነበረ። ብዙሕ ይፋተው ብምንባሮም፣ ብድሕሪ መሪር ሓዘን ኑቲ ሕሰም ክቕበሎ ተገደደ። ዓመት ብድሕሪ'ዚ ድማ፣ ሓውቱ ቀበረ። ሓዘኑ ምእባድ ስኢኑ ምጽንናዕ ኣይተኻእለን። ድንጋጹ ኢሕዲረ፣ ብዛዕባ ባህርያውያን ሕማታት ህይወት እናዘኻኸርኩ ድማ ክጸናንዖ ፈተንኩ። ውጽኢት ግን ኣይተረኸበን። ብድሕሪ'ዚ፣ ከምቲ ብቕድመኡ ሞት በዓልቲ-ቤቱ ብትብዓት እተቐበሎ፣ ነዚ'ውን መንፈስ ኣትሪፉ ክቕበሎ ከም ዝግባእ ኣብ ዘዘኻኽርኩዎ፣ ዘገርም መልሲ ረኸብኩ፥ « ሰበይቲ ምስ እተድልየኒ፣ ኣብ ዝወሰንኩሉ እዋን ካልእይቲ ሰበይቲ ክረክብ ይኽእል እየ። ኣደይ ግን ሸምጊላ እያ ካልእይቲ ሓውቲ ክትወልደለይ ኣይትኽእልን» ተባሃለኒ።

ካብ ተራ ወታሃደር ኣትሒዙ/ክሳብ'ቲ ዝሓየለ ሃጸይ/ናይ ግዳም ልብስታቶም ብዘየገ-ድስ ደቂ-ሰብ ከም ምዃኖም፣ ልቦም ሓደ እዩ።

ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ዝምልከት፣ኣብ ትግራይ ዘሎ ባህሊ ካብቲ ናይ መረብ/ምላሽ ብዙሕ ኣይፍለን። ኣብ ተጻራሪ-ወገን ድኣ ንሰለፍ እምበር፣ ንኣብነት ሃጸይ-ዮሃንስ ዝነበሮ ልቦና-ኣእምሮን ምኽሓድ ዘይከኣል እዩ። ዘድንቕ ተመኩሮታት ህይወቱ፣ ኣብ «መተማ» ኣንጻር ድርቡሽ እናተዋግአ፣ ብዓወት እዩ ዛዚምዎ።

ኣብ ሓውቱ "እተጌ-ድንቅነሽ" ሕሉፍ ኣኽብሮት ከም ዝነበሮ ይዝከር። ዮሃንስ ባዕሉ እዚ ስም'ዚ፣ ናይ ኩናት-ጭርሖ ሰራዊቱ ክኸውን ስለ ዝመረጸ እዮም ሰራዊት-ትግራይ ኩናት ምስ ዝኸቱ« ድንቅነሽ!! ድንቅነሽ!! »እናበሉ ናብ ጸላእቶም ዝደፍኡ።

እቲ ኣብ መረብ/ምላሽ ፍሉይ ኣገባብ ዝኽተል ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት እንተተመ-ልከትና እውን፣ ንሬሳ ብመልቀስ ዘሰንዮ ሰልፊ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ብበዓልት-ቤት ዘይኮኑ -ብሓውቲ መዋቲ እዩ ዝምራሕ።

ተዝካር

ሓደ ካብቶም ፍሉይ ማሕበራዊ ኣገዳስነት ሃልዩዎም፣ ብልምድን-ባህልን ንምውታት ዝግበሩሎም ዝኽረታት፣ እዚ ተዝካር ዝበሃል፣ ንዝሞቱ ኣዝማድ ተባሂሉ ዝዳሎ ዓቢ መእዲ ይዝከር።

ተዝካር፣ ንወላዲ-ኣሕዋት-ውላድ- ንስብኣይ ሰበይትን ይዳሎ። ኩሎም ኣዝማድን (ዋላ እውን ብዘረሓቐ ደረጃን-ኣብ ካልእ ዓዲ ምስ ዝቕመጡን) ቤተ-ክህነትን ድማ ይዕ-ደሙ። ቤተ-ክህነት ኣቐዲሙ ንዝኸረ ነፍስ-ሄር ቅዳሰ-ይባርኽ። ብድሕር'ዚ ኩሎም ኣብ መኣዲ ቀሪቦም፣ ህየትን/ሰናይ-ግብረ መዋትን ይዝክሩ። ንኩሎም ዝሕወሱ ስእናት፣ ዝኣክል መግብን-መስተን ይምጽወተሎም።

ተዝካር ዘውዕል ሰብ፣ ጉዳዩ ከድምቕ ብዘለዎ ትሕዝቶ ይዳለወሉ። ሕሩድ ብባዝሒ /ስዋ-ሜስን፣ ዋሕዚ/ እንጌራ-ሕምባሻን እውን ብዝኣክል ይዳሎ-ይዕደልን። ከምዚ'ሉ እቲ እኩብ ዝነብዕ-ዝሰሕቕን/ዝሓዝን-ዝድሰትን ኩሉ፣ ምሉእ ለይቲ ብሓባር ይሓድር።

ሓዘን-ደስታን ዝኣመሰሉ ክልተ ተጋጪውቲ-ኣምራት እዮም ድማ ምስጢር ናይዚ ምድራዊ ህይወት።

ኣዝዩ ድሙቕ ዝኾነ ተዝካር፣ እቲ ብስም ወላዲ ዝፍጸም እዩ። ተዝካር፣ ኩትስግሮ ዘይ -ክኣል ማሕበራዊ-ግዙእ ይብሃል። ምእንት'ዚ ድማ ስእናት ከይተረፉ ምውታቶም ንምዝካር፣ ዘድሊ ትሕዝቶ ክኣኸኽቡ ብጻዕሪ ይዓዩ። እዚ ንምትግባር ክሳብ ዘይበቕዑ ድማ፣ ዓመት ንዓመት ከወንዝፍዎ ይጸንሑ። እዚ ግዙእ'ዚ ንምፍጻም ብዝጸምድዎ ክቢድ ውራይ፣ ብዙሓት ስድራ-ቤት ኣብ ቁጠባዊ-ሜዳ ዓቢ ማህሰይቲ የኸትሉ።

ተዝካር ናይ ምፍጻም ዘሎ ግዴታ፣ ዕቤቱ ንምርዳእ፣ እቲ ተዝካር ከውዕል ዝበለ ሰብ ዘተግብረሉ ኩነታት ንምፍጣር፣ ካልእ ማሕበራዊ-ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያት'ውን፣ ሸለል ይብሃሎም። ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ንኣብነት፣ እዋድቓ መሬት ምድሪ-ሽፋ ብምኽኑ፣ ሰብኣይ በዓል-ሓዳር ምስ ዝመውት፣ እቲ መሬት ናብ "ዓዲ" ከምለስ'ኳ እንተኾነ ስርዓቱ፣ ሰይቲ-መዋቲ ተዝካር ክተውዕል ሓገዝ ክኾና ንማለት፣ ምዝርቲ ናይቲ መሬት ንሰ-ለስተ-ዓመት ክትጥቀመሉ ይፍቀዳ።

ስነ-ሕጊ ብሕታዊ ዋንነት

ብዛዕባ ዋንነት፣ ካብቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት እተዘርበሉ ሓሲፍካ፣ ውሑድ እዩ እቲ ዝተርፍ ዘሎ። ብሕታዊ ዋንነት-መሬት ከም ዘይፍቀድ፣ ድሮ ተገሊጹ እዩ። ዋንነት መሬት ማለት፣ መሬት ንኸትጥቀመሉ ዝፈቅድ መሰል ድኣ'ምበር፣ ብሕታዊ ንብረት ማለት ኣይኮነን።

ብመሰረቱ፣ ወናኒ መሬት ዝበሃል፣ እቲ ብንጉሳዊ-ስልጣን ዝውክል *ህዝቢ* እዩ። እዚ ድማ ጥንታዊ-ኣገባባት ተኸቲሉ ክከም ዓዱ ክልወጥ ብዝክኣል፣ ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ኩነትን/ጥንቁቕ ምትግባርን፣ *መሬት ክትሓርስን -ጻማኻ ክትሓፍስን ይፈቅድ።*

ብዘይካ ብምኽንያት ክቢድ ሓፈሻዊ-ጸጥታ/ስርዓትን ድማ፣ እዚ ልምዳዊ-ሕጊ ምውጋድ ኣይከኣልን[3]።

ብሕታዊ-ዕዮን/ስሩዕ መደብ-ህይወትን ብዘኸትልዎ ጥቓቡት(ውህለላ፣ ከም ውጽኢት ሕጋዊ ፍረ-ዕዮ)፣ ተንቀሳቓሲ-ንብረት ምውናን ይፍቀድ እዩ።እዚ ዋንነት'ዚ«ገንዘብ»-ተባሂሉ፣ ጥረ ገንዘብን/ጠለ-በጊዕ/ማል/ካልእ እንስሳ ዘ-ቤት ብሓፈሻኡ/ናውቲ ዘቤት-ናውቲ ዕዮን /ዝፈርን-ዝማዛእን ሃላኺ/ብረት...ወ.ዘ.ተ.ዝኣመሰሉ ንብረት የጠቓልል።

መናበረ-ቤት እውን ንሕጋዊ-ጉልባብ(ኣምሳል)፣ ተንቀሳቓሲ ንብረት ተባሂሉ፣ ምስ ገንዘብ እዩ ፍቕዱ። እዚ ግን፣ ኣብ ጥንታዊ-ልምዲ እተሰረተ ኣተሓሳስባ ክይኮነ ኣይተርፍን። ከመይሲ፣ ግእዛዊ ርእሰ-ነገድ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ኣሲጋሚ መንስኡ፣ ኣብ «ኣግነት» እዩ ዝነብር ነይሩ። ኣግነት፣ ከም ካልእ ንብረት ተጠርኒፉ፣ ምሳኡ እዩ ዘሳግም። ስለ'ዚ ድኣ፣ እተሃንጸ-ቤት እውን ተንቀሳቓሲ-ንብረት ተባሂሉ ክይከውን ?

ገንዘብ ግና፣ ርእሰ-ማል ስለ ዝኾውን፣ ንወናኒኡ ፍሉይ ምንጪ እቶት'ውን ይኾውን። ምኽንያቱ፣ ወናን-ርእሰማል ዘርኢ ኣሕሊፉ ይጸንሕ/ ናውቲ-ኣብዑርን ንውዕለት ስለ ዘዋፍር/ ንግዲ ስለ ዝነግድ፣ ርእሰማሉ ደው ኣይብልን። የዋፍሮ ድኣ። ስለ'ዚ እቲ መሬት ብሓባር ምውናን ዝብል ኣገባብ ከኸትሎ ዝኽእል ምድስካል ትሕዝቶ ማእቶት/ ማሕረስ ከይምዕብል ዝፍጠሩ ዕንቅፋት/ ሸለልትነት ኣብ ክንዲ ምትላም መደባት/

[3]- ንተመሳሳልነት ኣብዚ ሃገር'ዚ ዝርከቡ ዓድታትን፣ ናይ ሩስያ-ሚር ንዝምልከት፣ ኣብ መወ-ዳእታ ክፍሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ኣብ ምልክታ ቍ.3 ተመልከት።

ብዝወሓደ ጻዕሪ፡ መሬት ኣዚኻ ምምዝማዝ....ዝኣመሰሉ ማሕለኻ፡ ብተኸእሎ ድለባ-ገንዘብ ይመዓራረዩ ማለት እዩ።

ውዕላት- ናይ ምትግባሮም ኣስገዳድን

ውዕላት ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር፡ ብቃል ይፍጸሙ። ዝኾነ ፍጻሜ ድማ፡ ዋሕስ ይዕንተሉ። ዋሕስ፡ንቅኑዕ ኣተረጓጉማ ዕላማ ሰብ-ውዕልን/ቀይድታት ምኽባርን፡ ብነብሱን ንብረቱን ይሕተተሉ።

ናይ ውርሻ ስነ-ሕጊ

ገንዘብ ዘበለ ኩሉ ፍሉይ-ዋንነት ስለ ዝኸውን፡ ከዕደግ/ክሸየጥ/ክልወጥ/ ወይ ንውህበት ክሕደግ ስለ ዝከኣል፡ ከም ውርሻ'ውን ይመሓላለፍ። መብጽዓ ብለባዋ ምስ ዘይህሉ፡ ውርሻ ንተባዕታይ ይኹን ኣንስተይቲ፡ ብደረጃ ዝቐረበ ዘመድ ይመሓላለፍ። ለባዋ፡ ብዘይካ ናይ ጾታ ኣፈላላይ፡ ብቃል እውን ክፍጸም ይከኣል። ኣብ ቅድሚ ኣዝማድ/ ኣለው ካብ ዝበሃሉ ደቂ-ዓድን(ኣብ ሰራዩ ንኣብነት፡ ካህን ወይ ጭቃ-ዓዲ) እዩ ድማ ለበዋ ከም ናይ መወዳእታ ድልየት መዋቲ ዝግለጽ። እዚኣም ብሓባር ንዝህብዎ ቃል፡ ተቓውሞ ክቐርቦ ኣይፍቀድን።

ወላዲ፡ብምሉእ ሓርነት ንዘለዎ ንብረት ከም ዝመስሎ ይምድብ። ክሳብ'ውን ንዘይደለዮ ውላድ ካብ ናይ ውርሻ-መሰል ክነጽጎ ይፍቀድ።

ወላዲ(ሰብኣይ-ሰበይቲ) ብዘይ ለበዋ ምስ ዝመውት፡ ንብረቱ ብማዕረ ተመቒሉ ብዘይ ናይ ጾታ ኣፈላላይ ናብ ደቁ ይመሓላለፍ። ብቕድም'ዚ ግን፡ ዘይመስሉ ውላድ(ወዲ ይኹን ጓል) ምስ ዝህልው፡ ካብቲ ጠቕላሊ ንብረት-ውርሻ፡ ማዕረ'ቲ መውጽኢ ሓዳር ተባሂሉ ንዝመስሉ ደቁ እተገብረ ውህበት ዝማምገም ንብረት፡ ነቶም ዘይመስሉ ይስለዓሎም። ብድሕር'ዚ እቲ ንብረት ብማዕረ ይምቀል።

መሬት-ርስቲ፡ ዋላ'ውን ተወራሲ እንተኾነ፡ ለበዋ ኣየድልየን። ብልምዳውን-ባህላውን ኣገባብ፡ መንግስቲ ዝህልዎ ናይ ቀዳምነት መሰል ከይሰሓተ እዩ ክመሓላለፍ-ክጥርነፍ-ክምቀልን ዝከኣል።

ብቕድሚ ንጉስ-ዮሃንስ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ደቂ-ኣንስትዮ መሬት-ርስቲ ኣይወርሳን ዝነበራ። ዮሃንስ እዩ ነቲ ሓው ምስ ዘይህሉ ሰበይቲ እውን ትውረስ ዝብል ሕጊ ትግራይ ኣብ ሰራዩ ድማ ክትግበር ኣዊጁ። ኰይኑ ግና፡ ኣብ ዓዲ ክናበራ ይግባእ። ብዘይካ ተባዕታይ ዘርኢ ምስ ዝሞታ ግና፡ መሬት-ርስቲ ናብ በዓል-ቤተን ዘይኮነ፡ ናብ ቀረባ ተባዕታይ ዘመድ ብወገን ኣቦ ይመሓላለፍ።

****

V.

ማሕበራዊ ዝምድና

ማሕበራዊ ዝምድናታት ንዝምልከት፡ ኢትዮጵያውያን ብሓፈሻ፡ ደቀ'ባት መረብ/ምላሽ ድማ ብፍላይ፡ እተመሓላለኽ ኣገባብት ዝኸተል ሕሉፍ ኣኽብሮት የዘውትሩ። ክቕይሙ ዝኽእሉ ጊጋታት ንምእላይን/ ክብረትካ እውን ንምርግጋጽን፡ መባእታዊ ሕግታቶም ምፍላጥ ኣድላይ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ግዳማውያን መሲሎም ትርጉም ዘይወሃቦም ንኣሽቱ ጉድለታት እውን፡ ጠንቂ ሕማቕ ሳዕቤናት ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ።

ፍሉያት ምልክት

ኣብ ትሕቲ ወርቂ እድያቱ ቀያሕታይ ጽላል-ሃረ ብኣኽብሮት ከንብር መሰል ዝሀልዎ፣ ሃጸይ እዩ ንውልቁ። ብፍቓዱ ግና፣ ንሱ ኣብ ዘይርከበ፣ ወዱ ኰነ-ዝግብሩ ንገስታት-ኣቡና ወይ እጨጌ እውን ንእስ ዝበሉ ቀያሕቲ-ጽላል ብዘይካ ወርቂ እድያት ክጥቀሙ ይኽእሉ። ቀይሕ ጽላል፣ ናይ ንጉስን/ ናይቶም ንሱ ዝፈቐደሎም ልኡላን ብምዃኑ፣ ዓበይቲ-ሹማምንቲ/መራሕቲ-ወረዳ/ በዓል-ነጋሪት -እንስቶምን እውን መገሻ ብዝሕዙ፣ ጽላል-ሃረ ክጥቀሙ ይፍቀድ። ሕብሩ ግና ቀይሕ ክኸውን ኣይግባእን።

ጽላል ምልክት ሓይሊ-ስልጣን ስለ ዝኾነ፣ እቶም ክጥቀምሉ መሰል ዝፍቀዶም ሰባት፣ ኣብ መገሻኦም ብለይቲ እውን ክይተረፈ ጉቲሮምዎ ይንዓዙ።

ኣብ ትሑታን መሳፍንቲ፣ ናይ ላስታ "ዋግ-ሹም" እዩ ንውልቁ (ከም መራሒ ናይቲ ዝፋኑ ብፍታው ንሕጋዊ ስሎሞናዊ-ስርወ ዘረከበ ናይ ዛጔ-ትውልዲ) ኣብ ቅድሚ ንጉስ እውን ክሳብ ዝቐርብ፣ ነጋሪት ክሀርም መሰል ዝሀልዎ። ብዝተረፈ፣ ኩሎም ሰብ-ነጋሪት ኣብ ቅድሚ ሰራዊት-ንጉስ እውን ነጋሪት ክሀርሙ ኣይፍቀዶምን።

"ሰብ-ቀሚሽ" ምስ ሰራዊቶም ዝጥቀምሉ መሳርያ፥ እምብልታ-መለኸት-ቃንዳ- እዮም። ድምጽታት መሳርያ ኩናት ኣብ ቅድሚ ልኡላዊ-ስልጣን ኰነ -ምስ ግዙፍ ሰራዊት ኣብ ዝጽምበርሉ እዋን፣ ክዓርፍ ይግባእ።

እዚኦም እዮም እቶም ንፍሉይ-ክብሪ ዘረጋግጹ ሓበረታ።

ካብቶም ንኡሳን ክጥቀስ ዝግባእ ድማ፣ ኣገዳስነትን/ደረጃን ሰበ-ስልጣን፣ ብፍቕዲ ተኸተልቶም እውን ምፍላጡ ዝከኣል እዩ። ኣብ ዝዝበርዎ ምንቅስቓስ፣ ዋላ'ውን ካብ ቤት ፍንትት ምስ ዝብሉ፣ ተኸተልቶም ብምሉኣቶም ይድሕሪኦም ይስዕቡ።

ናይ ወግዒ ስነ-ስርዓት

ንላዕለዎት ኣካላት ኰነ/ ክብሪ ምስ ዝግባኦም ሰባት፣ ኣብ ክንድ'ቲ ንመሰታ ወይ ትሑታን ዝምልከት«ኣታ-ኣቲ»፣ «ንስኹም-ንስኸን» እናበልካ እዩ ወግዒ። እዚ ድማ ትግርኛ ምስቲ ናይ ሓባር መበቆል ዘለዎ ቋንቋ-ትግረ ዝህልዎ ፍልልይ የንጽር። ትግረ፣ ንዝኾነ ሰብ «ኣታ» ይጥቀም።

መዝነት ዘለዎ ኣኽብሮት ዝግባእ ሰብ፣ ንውልቅኻ ወኪልካ«ጐይታይ»ይበሃል። ብዙሓን ወኪልካ ድማ፣ «ጐይታና»። ንልእልቲ ድማ፣ «እምበይተይ» ወይ «እምበይትና» ይበሃል። ንዘይትፈልጦ በዓል ማእከላይ-ደርቢ፣ «ዓርከይ» ወይ «ሓውተይ» ክኸም ጸታኡ። ኣገባብ ስነ-ስርዓት ከም ዝሓቶ ድማ፣ ኣብ መንገዲ ንዘንንፈካ ኰነ -ክትበጽሖ ንዝኸድካ ሰብ፣ ብድሕር ሰላምታ፣ ኩነታት ጥዕና ኣቦ-ኣደ-ሰበይቲ-ደቂ-ኣዝማድ-ስድራ- ዓዲ......ክሳብ'ውን ግራውቲ-ጥሪትን ከመይ ከም ዘለው ይሕተት።

ዘቤታዊ ኣገባባት

እንዳ-ሰብ ኣብ ዝኸየደሉ፣ ዋና-ገዛ ንጋሻ ኣብ ዓራት ወይ ዓንገረብ የንብሮ። ክከም ኩነታቱ ድማ፣ እቲ ጋሻ ካብቲ በዓል ገዛ ዝለዓለ ደረጃ-ስልጣን ምስ ዝህልዎ፣ ዋና ገዛ ኣብ ትሕት ዝበለ መንበር እዩ ቦታኡ። ደረጃኦም ማዕረ ወይ ድማ ኣፅሩኽ ምስ ዝኾኑ ከኣ፣ ብጐኒ ከፍ ይበሃል። ካብኡ ለጠቕ ዝበለ ምስ ዝኸውን ድማ፣ ዋና-ገዛ ኣብ ልምዳዊ ቦታኡ ነቢሩ ንጋሻ መንበር የቕርበሉ። ኣብዚ ዳሕረዋይ ኣብነት ግና፣ ንኣኽብሮት ማዕረይ ተቐመጥ'ኒ እንተተባህለ፣ ንስነ-ስርዓቱ ቀልዓለም ተገይሩ ለጠቕ ኢልካ እዩ ክፍ ዝበሃል።

መግብን-መስተን ብዝቐረቡ ድማ፣ ንቕድም ኣገልጋሊ፣ ስዒቦም ድማ ዋና ገዛን-ጋሻን ይቐምሱ። እዚ ልምድ'ዚ፣ ንሓለዋ መርዚ ተባሂሉ ይዝውተር። ኣገባቡ ግን ብከኔው-መረብ'ኳ ዝፍጸም እንተኾነ፣ ብ ነጀኡስ፣ ኣኽብሮትን-ዕርክነትን ንምግላጽ፣ ጋሻ ነቲ ኣገባብ ኰሊፉ፣ ብእምነት ኩላሶ ወይ መዐን የቕድም።

በጸሒ-ጋሻ ዝህልዎ ማሕበራዊ-ደረጃ፣ ካብ ናይ በዓል-ቤት ልዕል ዝበለ ምስ ዝኸውን ወይ ድማ መቕረባ-ፈተውትን ምስ ዝኾኑ እዩ ብፍላይ፣ እንስቲ ናብ ሰፈር ኢጋይሽ

ክኣትዋ ዝፍቀድ። ነዚ ልምድታት'ዚ ኣጸቢቑ ዘይመለኽ ኤውሮጳዊ፡ ዝግበረሉ ኣኽብሮት በዚ እውን ክመዝኖ ይኽእል።

መግቢ፡ ምስ ኣገባብ ኣመጋግባ ደቀ'ባት ብዝሳነ መንገዲ፡ ብኢድካ ይብላዕ። ቅድሚ ምጅማር ግን፡ ኣገልጋሊ ክከም ደረጃ ክብሪ ዕዱማት ሓሓሊፉ ኢእዳው የሕጽብ። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ቅድም'ቲ Rinascimento = Renaissance«ሪናሺመንቶ» ዝበሃል መዋእል፡ ኣብ ኢጣልያ እውን የገልግል ነይሩ እዩ።

ብድሕር'ዚ ስርዓት መኣዲ ይጅመር። ናይ ሕጽቦ ኣገባብ፡ ኣብ መወዳእታ እንደገና ይድገም።

ኩላሶ ምኩልላስ፡ ምልክት ምሕዝነት እዩ። በዓል ልኡል መዓርግ ንትሑት፡ ኩላሶ ክቕርበሉ እንከሎ፡ ፍሉይ እምነት የመልክተሉ ኣሎ ማለት እዩ። ትሑት ግና ብእንጻሩ ክምኡ ክገብር ኣይፍቀድን። ኣገልጋሊ እዩ ድማ ኩላሶታት ዘዳሉ። ፍላይ ዕድመ ምስ ዘይግበረሉ፡ትሑት ምስ ልኡል ሓቢሩ መኣዲ ኣይቅረብን። ደቂ-ኣንስትዮ ብዘይካ በዓል ቤተን፡ ምስ ሰብኡት መኣዲ ኣይቀርባን። ውላድ'ውን ብድሕር ወላዲኡ እዩ መኣዲ ዝቐርብ።

ሰባት ኣብ እተኣከብሉ ቦታ፡ ሓደ ካብ ኣኼበይናታት ሓፍ ኢሉ ክብገስ ምስ ዝደሊ፡ ካብ'ቶም ዝተርፉ ትሑት ወይ ማዕረ ደረጃ ዘለዎም ሰባት፡ ምሳኡ ሓፍ ብምባል ኣኽብሮት ይገልጽሉ። ከምኡ'ውን ኣብ ምምላሱ ኵነ-ካልእ ሰብ ኣብ ዝጽምበሮም፡ «ንበሩ» ይበሃል።

ሰብ ለጠቕ-ደረጃ ንልኡላን ሰላምታ ኣብ ዘቕርብሉ፡ ብማዕዶ ምስ ዝኸውን፥ ነጸላኦም ካብ ዝባኖም ኣውሪዶም- ክሳብ መሬት ብሓደ ብርኮም ተዓጺፎም ብክልተ ኣእዳዎም ሰለስተ-ጊዜ ባይታ ይጥፍጥፉ። እቲ ሰላምታ ግን ብቐረባ ምስ ዝኸውን፡ ነጸላኦም ኣውሪዶም ብሓደ-ኢዶም ባይታ ይትንክፉ።

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ደረጃአን ብዘይገድስ፡ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ሰብ(ንጉስ እውን እንተኾነ) ኣኽብሮት ንምግላጽ፡ ርእሰን የድንና። ከምኡ'ውን ካህናት ተልእኾኦም ንምፍጻም፡ እታ ዘይትፍለዮም መስቀል ብክልተ ኣእዳዎም ኣቕሪቦም የሳልሙ።

ኣብ ፈረስ ተወጢሖም ዝጸንሑ ሰባት፡ ካብኦም ብደረጃ ዝለዓለ-ሰብ ምስ ዘንንፎም፡ ወሪዶም ኑቲ ሰብ ክሕልፉ ንማለት፡ ካብ መንገዲ ይእለዩ'ሞ፡ ቡቲ እተጠቕሰ ኣገባብ ሰላምታኦም የቕርቡ።

ልኡል፡ የማናይ ኢዱ ንምልክት-ሰላም ምስ ዘቕርብ፡ ትሑት፡ ክልተ-ኣእዳው ብነጸላ ኣጐልቢቡ ይቕበሎ። ደኒኑ ድማ ኢድ ይሳለም። እቲ ልኡል ግና ፍቕሪ-ኣኽብሮትን ንምግላጽ፡ ነዚ ክልኪሉ ኢዱ ጨቢጡ ሰላምታ የቕርብ።

በዓል ስልጣን ንበዓል ትሑት መዝነት ኣብ ዝገንሓሉ፡ ዋላ'ውን ንክቢድ ጉድለታት፡ ህድኣት-ቅሳነት ከየጥፈአ፡ ብትሑት ድምጺ ይገንሖ።

ኣብ ኣኽባ፡ ብበዓል-ስልጣን ስሙ እተረቕሐ ታሕተዋይ-መዝነት«ኣቤት»ኢሉ መሊሱ ደው ምስ በለ፡ ነጸላኡ ኣውሪዱ ክፍ-በል ክሳብ ዘይበሃሎ፡ ከምኡይሉ ይጸንሕ። ክዛረብ ምስ ዝደሊ እውን ከምኡ፡ ሓፍ ኢሉ ፊት መዛርብቱ ወይ መራሒ-ኣኼባ ኰይኑ ይዛረብ። ጸታኦም ሓደ ዝኾኑ መሓዙት ብዝተራኸብሉ፡ ምስዕዓም የዘውትሩ። ምስ ደቂ-ኣንስትዮ እውን፡ እንተድኣ ምስ በዓል-ቤተን ቀረባ ርክብ ሃልዩ ብሕልፊ ድማ ምስ ዓርከ-ርእሲ፡ ኣገባብ ምስዕዓም ፍቑድ እዩ። ቀረባ ኣዝማድ እውን ጾታኦም ብዘየግድስ፡ ተሰዓዒሞም ሰላምታ ይለዋወጡ። እስላም ግን ዋላ'ውን ምስ ቀረባ ዘመድ፡ ኣብ ኣእዳዎም ይሰዓዓሙ።

ጸርፍን-ጵያፍ ዘረባን፡ ኣብ ትሑታን ደርብታት እውን ኣይዝውተርን። ንልኡላን-ደርቢ ዘንጽር ፍሉይ ስርዓት-ኣገባብ ንወገን ገዲፍካ፡ ኣብ ኩሎም ማሕበራውያን-ደርብታት፡ እሩም ዝኾነ ኣገባብ-ስርዓት እዩ ዓብላሊ።

ኣዝማድ ምስ ዘይኰኑ ሰባት ዝዝውተሩ ማሕበራዊ-ዝምድናታት፡ ኣገባቦም ዝሓለውን-እሩማትን'ኳ እንተኾኑ፡ ሓቅን-ንጽህናን ይጐድሎም። እዚ ድማ ምናልባት ሳዕቤን ናይቲ እንዳዊ ኣሰራርዓ ሕ/ሰቦም ከይኰነ ኣይተርፍን። ኣብ ሞንጎኦም፡ ጽልኢ'ኳ

እንተዘይተባህለ፣ ዋሕዲ ምትእምማን-ውድድርን ኣይሰኣንን። ካብዚ እዩ'ውን እቲ ናይ ያዕ-ያዕ መንፈስ ኩኑ/ ብዘይጠቕም ጉዳይ፣ ክሳብ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ምስሕሓብን ዝኣመሰሉ ጠባያት፣ ዝውቱራት ዝኾኑ። ንቤት-ፍርዲ ግና ዓቢ ኣኽብሮትን- ምሉእ ስልጣኑን ይኣምኑሉ።

ኣኽብሮ/ወይ ኢድ-ንሳኤ ንዝቖመ ስልጣን

ልጅ-ኣበራ ካብ መስርዕ ስራዊት-ኢጣልያ ኣምሊጡ ንዘለዓሎ ናዕቢ ሓያል ምቊጽጻር ምስ ተገብረሉ፣ ባዕለይ(ደራሲ) ምስክር ኰይነ ዝረኣኽዎ ሓደ ዘሕዝን ፍጻሜ፣ ነዚ ኣኽብሮት'ዚ ብግቡእ ይገልጾ።

ክልተ ተኸተልቲ ኣበራ ተማሪኾም ኣብ ናይ ቤት-መኸእ "ፎርተ" ንወታሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ተወሲኖም ነበሩ። ወታሃደራዊ-ፍርዲ ድማ ብኡንብኡ ስለ ዝትግበር፣ ድሮ እቲ ረሻኒ ጉጅለ ኣብ ቅድሚ ዳይናታት ተሰሪዑ ነበረ። ከም ዘይተርፎም ድማ ንሞት ተፈረዱ። እተመደበሎም ኣስተርጓሚ ውሳነ ቤት-ፍርዲ ምስ ገለጸሎም፣ ክልቲኦም ፍሩዳት ብዘይካ ንዕቀት ርእሶም ኣድኒኖም ብዓቢ ኩርዓት ተቐበልዎ። ብክብረ ድማ፣ ቀሺ-ገብረ ንዘቕረበሎም መስቀል ተሳሊሞም ናብቲ ዝርሸንሉ ቦታ ኣምርሑ።

ትእዛዝ መንግስትን/ሕጋዊ መዝንትን እውን ብሓፈሻኡ ተመሳሳሊ ኣኽብሮት ይግበ-ረሎም። ስም ሕጋዊ-ስልጣን ምርቋሕ ንባዕሉ፣ ሓደ ፍጻሚ ከተግብር ወይ ክዓግት ኣኻሊ እዩ። ዝባን-መንግስቲ እተባህሉ ጉዳይ፣ ቤት-ፍርዲ እዩ ዳናይኡ።

ብድሕር'ዚ ኩሉ ናዕብታት/ ብግዳም ዝኣተወ ረጽምታት/ ውሽጣዊ ፋሉልነት፣ ኣብ መንፈስ ህዝብታት መረብ/ምላሽ እቲ «መንግስትን-ትካላቱን» ዝብል ስውር-ኣምር፣ ብቕኑዕ ኣተራጉማኡን-ክብሩን ተዓቂቡ ምጽናሑ፣ ኣዝዩ ዘገርም ነገር እዩ።

ካልእ ኣብነታት ንምጥቃስ፥ ሕማም ተላገብ ንምጥፋእ፣ መማዝእታዊ መንግስቲ-ኢጣልያ ንዘውጽኦ ትእዛዝ፣ ፈጺሙ ተቓውሞ(ዋላ'ውን ሰላሕታዊ) ኣይተገብረሉን።

ብ1890ዓ.ም. ካብ ሃገር-ዓረብ/ንባጽዕን ገማግም-ባሕርን ዝኣተወ ሕማም-በዲዶ(ጸሊም በዲዶ)ንምጥፋእ፣ ብመማዝእታዊ-ስልጣን ዝቐረበ ዕድመ ክታበት ጸረ-ሕማም፣ ሰብኣይን ሰበይትን-ቈልዓ-ሽማግለ፣ ብፍጥንት ናብ ኣቢያተ-ሕክምና ተጓየዩ።

ብድሕር'ዚ እምበኣርከስ፣ ኣብ መረብ/ምላሽ ቅጥፈት-ዓመጽ ብሓቂ ውሑድ ተርእዮ ኣዩ ምባል ዘገርም ነገር ኣይክውንን። ኣብቲ ሕማቕ ኩነታት መማዝእታዊ ህላዌና /ዘይርጉጽ መደባትና/ተላጋቢ-ሕማማት/ዋሕዲ ዝናም/ሕማም-ጉልሓይ/ተደጋጋሚ ናይ ኣንበጣ-ወራር፣ ነቲ ሃገር ኣባኺኖም ጥሜት እውን እንተኣኸተሉ፣ ስርቂ-ዓመጽን ነውሪ ምባል ኣይተረፈን።

ኣኽብሮት ደቕ-ኣንስትዮ

ካልእ ፍሉይን ተፈታውን መልክዕ ስነ-ኣእምሮ ደቀ'ባት ኣብ ማሕበራዊ-ናብራ፣ንጓል-ኣንስተይቲ ብፍላይ ዝዘውተር ኣኽብሮት እዩ። ምዕዶ ጓል-ኣንስተይቲ፣ ኣብ ደረጃ ልኡላን ጥራሕ ዘይኮነ፣ ኣብ ታሕተዋይ ደርብታት እውን ዓቢ ተቐባልነት እዩ ዘለዎ።

ብወርሒ የካቲት 1891 ዓ.ም.፣ ምቁር ጓል-ባህይሉ ወድ-ዑቕባስላሲ -ሰይቲ ቀሺ ኣይሙት ወድ-ቀሺ ኣብድ ቆሞስን-ብውርሻ እተመርጸ ጭቃ-ዓድ ጕላ እተባህለ ሓምሳ ገባር ዝነብርዎ ኣብ ጉልቲ ሰፍሖ ዝኣቱ ስኡን ቁሸት፣ ንመጀመርያ ጊዜ እተላለኽዋ እዋን ነዝክር።

ቀሺ-ኣይሙት ዝነበሮ ሃይማኖታውን-ሲቪላውን ድርብ መዝነት ብዘየገድስ፣ እቲ ዝቐሰነ ሰብ ናይዛ ዓለም እዩ። ወትሩ ኣብ ዘየድሊ ሓሳብ ጥሒሉ ትረኽቦ። ሕልምታቱ እናተኸተለ ድማ፣ተገዲሱ፥ ቆስጣንጢኖስ-ጂላጦስ....እተወለድሉ ሃገራት ከየልድ ሒኹ ክብል ይውዕል። ምስ ኢጣልያ-ዜጋታቱን ብዝነበሮ ፍቕሪ፣ ነቲ ዳሕረዋይ-ውላዱ «ገብረንጉስ» ኢሉ ይስምዮ። ድርብ ትርጉም ናይዚ ስም'ዚ ክብርሃለይ ንማለት፥ ናይ መኖም ካብ ነገስታት እዩ እቲ ውላዱ እገሊጋሊ(ገብረ) ክኸውን ዝምነየሉ ብዝሓተ-ትክም፣ ብታሕጓስ፥ «ንናይ ሮማ ንጉስ እምበር» ኢሉ መለሰለይ። የግዳስ፣ ብዛዕባ ምጥርጣረይ ድእ ገረሞ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ኣኽራናት ሰፍሖ ብሓፈሻኡ ጒኑ ዝነበረ

መቓልሕ-ኣስማት ኢጣልያ/ሮማ መንፈሱ መሲጦም ዘሕደርሉ ሃሚናዊ-ፍቕሪ፡ ጣልያን ኮኑ/ንጉሶም፡ ንቀሺ ኣይሙትሲ መን ከይብልዎ ?

ማእከላይ ዝዕድመኣ ወ/ሮ ምቁር በዓልቲ-ቤቱ ድላ ካብኡ እተፈለየ ጠባይ ዝነበራ። ተባዕ-ፈጣን-መስተውዓሊትን እያ። ወገና፡ ምሳና(ኢጣልያ) እዩ። ካብ ሰፍሓ ነስመራ እናተንቀሳቐሰት፡ ምስጢራዊ ትእዛዛትና ንደቀ'ባት ተመሓላልፍ ዝነበረት፡ ወ/ሮ ምቁር እያ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ኣብ ምዕራባዊ-ክፍሊ ዝነበሩ ጉልታት ተራሕሪሖም፡ዘመሓድር መንግስቲ ኣይነበሮምን። ሰፍሓ እውን ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት እዩ ዝነበረ። ኣብዚ ግን፡ ምቁር ጓል-ባህይሉ ብፍቓድ በዓል-ቤታ፡ ጉዳያት መነባብሮ ዓድ-ጕላ ዲርጋ ብናይ ምልኪ ዓይነት ተመሓድሮ ነበረት። እቲ ኣብ ትሕቲ እም-ዳዕሮ ሩባ-ቆሓጽየን ብዛዕባ ናይ ሓባር ጥቕምን/ትእዛዛት መንግስትን ንምዝታይ ዝካየድ ዝነበረ ባይቶ ሹማምንቲ-ዓዲ ናይቲ ጉልቲ፡ብዕላ ወይዘሮ-ምቁር እያ ከም ኣቦ-መንበር ትመርሖ። ወ/ሮ ምቁር እያ እውን እቲ ብኣና(ኢጣልያ) ንደቅ-ዓዳ ዝሕተት ዝነበረ ተማእዛዝነት/እምነትን ንመንግስቲ-ኢጣልያ «ይዋሓስ!!!» ትብለሉ ዝነበረት።

ኣብ ልዕል ደቅ-ኣንስትዮ ዝዝውተር ናይ ኣኽብሮት ኣገባብ፡ ፍሉይ መላልዮ ህዝቢ-ግእዝ ይመስል። ምኽንያቱ ድማ፡ ኣብቶም ቅውም መነባብሮ ዘለዎም ህዝብታት-ከበሳ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ሓድ-ሓደ ክፍልታት ናይቶም ኣብ ገማግም ተመሊሶም ምስልምና ብምእማን ዝያዳ ሓንቲ በዓልቲ-ቤት መርዓ ዝፍቀዶም ህዝብታት ዓሊት-ግእዝ እውን፡ ተዓቂቡ እዩ ተረኺቡ። ዋላ'ውን ኣብቶም ምስ ናይ "በጃ" ባእታታት እተወሃሃዱ ህዝቢ ብንዓምር። «መዚንገር» ነዚ ሓቅ'ዚ ዘረጋግጹ፡ ከም ዛንታ ገይሩ ዘቕረቦም መጽና-ዕታት ምንባብ ኣገዲሲ እዩ።

ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ኢትዮጵያዊ ሕ/ሰብ ዘለዋ ጽልዋ፡ ዝደጋገም ተርእዮ እዩ። ከምኡ ኢሉ ድማ ካብታ ዝናዊት ንግስቲ-ሳባ ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ ዘለናዮ ዕለታት፡ ዝበኣሱ እዋናት ናይ ፖሊቲካ-ምትሕልላኽ ሰኒሩ፡ ኣብ ክፍለ-ዘመናት ለውጢ ከይተገብሮ ተዓቂቡ እዩ ጸኒሑ። መጻኢ-ዕድል ናይቶም ከምዚ ኣገባብ'ዚ ዝኽተሉ ህዝብታት ከመይ ምዃኑ እውን፡ ካብዚ ኣብነት'ዚ ምርዳእ ዝከኣል እዩ።

ንውልቆም ካብ ህዝብታት-ምብራቕ/ ምስቲ ኣብ ካልእ ክፍልታት ኣፍሪቃ ዝዝውተር ልምድታት ድማ ብዝጻረር፡ ኣብ ልዕሊ ጓል-ኣንስተይቲ ዝግባእ ኣኽብሮት ምዕቃብ ዝኸኣሉ፡ እዞም ህዝብ'ዚኦም ምዃኖም ክጕቀስ ዝግባእ ሓቂ እዩ። እዚ ድማ፡ ናብ ጌጋ ዝመርሑ ተኸእሎ ንወገን ገዲፍካ፡ ሓያል ኣብ ልዕል-ድኹም ከዘውትሮ ፡ ዝሕተት ልኡል ናይ ርህራሀ ስነ-ሓሳብ/ስምዒትን ዓብላሊ ምዃኑ የረድእ።

* * * * * * * * * *

1ይ- ምልክታ

ብዛዕባ ናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ

እቲ ብኣምሳል ሃይማኖት ተዋህዶ እተሰርዐ ናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ፡ ብመሰረቱ ካብ ናይ «ጁልዮ-እፍረቃዊ»እተወሰደ ፍቕዲ እዩ። ምእንት'ዚ ድማ ልደተ-ክርስቶስ ካብቲ ብፍቕድና(ኢጣልያ) እተመደበሉ ዕለት፡ ሸውዓተ-ዓመት ድሒሩ ይረኽብ። ነዚ ናይ ጁልዮና ዝበሃል ኣገባብ ተኸቲሉ ድማ፡ ማዕረ'ቶም ናይ ምብራቕ ኣብያተ-ክርስትያን እናቖጸረ፡ ንሓደ-ዓመት ኣብ 365 መዓልትን ሓደ-ርብዕን(1/4)ይኸፍሎ። ከምዚ'ሉ፡ ነቲ ብመሰረት ጳጳስ- ግረጎ-ርዮዎስ XIII° እተኣዘዘ ጽገና ብኣና እተገብረ መእረምታ ኣይኸተሎን።

ስለዚ ድማ እቲ ግረጎርያዊ-ጽገና ተኣታትዩ እንተዝኸውን፡ ብናትና(ኢጣልያ) 1-መስከረም ክጅምር ዝምተገብእ ሓድሽ-ዓመት ዓድ-ሓበሻ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ብዕለት 12-መስከረም ይብዕል። ኣብቶም ስዒቦም ዝመጹ ሰለስተ-ዓመት ናይቶም «ቢዘስቲለ» Bisestile = Leap Year ተባሂሎም በብዙርያ 4 ዓመት ዝደጋገሙ ድማ፡ ሓድሽ-ዓመት ዓድ-ሓበሻ ብዕለት 11 መስከ-ረም ይብገስ።

ብናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ እዚ «ቢዘስቲለ» እተባህለ ዓመት ንምፍላጥ፡ ፍቕዲ ዓመተ-ምህረት ብ 4 ይምቀል፡ ተረፉ 3 ምስ ዝኸውን ድማ፡ እቲ ዓመት «ቢዘስቲለ» ይበሃል። ንኣብነት፥ 1895 ዓ.ም.(1895፡4= 473+3) «ቢዘስቲለ» ይኸውን። እዚ ዝኾነሉ ድማ እቲ ንሕና(ኢጣልያ) እንጽብጽቦ መዋእል፡ ኣብ 1ይ ዓመት ዝጅምር ክኸውን እንከሎ፡ ፍቕዲ መዋእል ኢትዮጵያ ካብ ባዶ(0) ስለ ዝጅምር እዩ።

ምእንት'ዚ፡ 1900 ዓ.ም. ብናይ ኢትዮጵያ ፍቕዲ(ካብ 12 መስከረም 1907 ጀሚሩ ክሳብ 10 መስከረም 1908 ናይ ግረጎርያዊ ዓ.ም. ዘሎ እዋን የጠቓልል) ስሩዕ ዓመት ይኸውን፡ ከምኡ'ውን 1901-1902። 1903 ግን «ቢዘስቲለ» ይበሃል።

ዓመት ኢትዮጵያ ብ 12 ኣዋርሕ ዝቖመ እዩ። ነፍስ-ወከፎም ድማ 30 መዓልቲ ይጽብጽብ። እቲ ዓመት ስሩዕ ዓመት ምስ ዝኸውን፡ ኣብ መወዳእታ 5-መዓልቲ ተረፍ የዋህልል። «ቢዘስቲለ» ምስ ዝኸውን ድማ 6-መዓልቲ የትርፍ። እዞም ከምዚ'ሎም ዝተርፉ መዓልታት፡ ካብ ቋንቋ-ግሪክ ብዝመጸ ቃል፡ «ጳጉሜ» ይበሃሉ። ጳጉሜ በዚ ቀጺሉ ዝቐርብ ስርዓት፡ ኣስማት ወንጌላውያን ይወሃቦም፥ እቶም ኣብ ቀዳማይ ዓመት ናይቲ ዙርያ ዝእትው መዓልታት ን ቅዱስ-ማርቆስ ይበሃሉ/ እቶም ናይ ካልኣይ ዓመት ን ዮሃንስ/ ናይ ሳልሳይ ን ማቴዎስ/ እቶም 6 መዓልቲ ናይቲ «ቢዘስቲለ» ዝኸውን ራብዓይ ዓመት ድማ፡ ን ሉቃስ ይበሃሉ። እቲ ዓመት ድማ ስም ናይቲ ጳጉሜ ዝባረኸ ወንጌላዊ ይወሃቦ። ማለት እቲ ቀዳማይ ዓመት ዘመነ-ማርቆስ ይበሃል/ እቲ ካልኣይ ዘመነ-ዮሃንስ....ወ.ዘ.ተ.

ኣስማት ኣዋርሕ-ምኽትታሎምን ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥ 1-መስከረም/ 2-ጥቅምቲ/ 3-ህዳር/ 4-ታህሳስ/ 5-ጥር/ 6-የካቲት/ 7-መጋቢት/ 8-ሚያዝያ/ 9-ግንቦት/ 10-ሰነ/ 11-ሓምለ/ 12-ነሓሰ፡ ብድሕሪኦም ድማ ጳጉሜ ይስዕቡ።

ነዚ ስርዓት ተኸቲልካ፡ ንናይ ኤውሮጳን-ኢትዮጵያን ዓውደ-ኣዋርሕ ዘነጻጽር ሰሌዳ ብቐሊሉ ክስራዕ ይከኣል። ዝስዕብ ሰሌዳ ንኣብነት፡ነቲ ካብ 1895-1900 ዓ.ም. ዘሎ እዋን ይምልከት፥

ናይ ኢትዮጵያ ዓመታዊ ዓውደ-ኣዋርሕ

ዕለት-ሓደ ናይ ወርሒ	1895 ቢዘስተ፡ለ	1896 ስሩዕ	1897 ስሩዕ	1898 ስሩዕ	1899 ቢዘስተ፡ለ	1900 ስሩዕ
	ብ ግረጎርያዊ ዓውደ-ኣዋርሕ ክትርጎም እንከሎ					
መስከረም	11 Sep. 1902	12 Sep 1903	11 Sep. 1904 -Bis.	11 Sep. 1905	11 Sep. 1906	12 Sep 1907
ጥቅምቲ	11 Oct. "	12 Oct. 1903	11 Oct 1904	11 Oct. 1905	11 Oct. 1906	12 Oct. 1907
ሕዳር	10 Nov.	11 Nov. 1903	10 Nov. 1904	10 Nov. 1905	10 Nov. 1906	11 Nov 1907
ታሕሳስ	10 Dic. 1902	11 Dic. 1903	10 Dic. 1904	10 Dic. 1905	10 Dic. 1906	11 Dic. 1907
ጥር	9 Jan. 1903	10 Jan. 1904 -Bis.	9 Jan. 1905	9 Jan. 1906	9 Jan. 1907	10 Jan. 1908 -Bis.
የካቲት	8 Feb. 1903	9 Feb. 1904	8 Feb. 1905	8 Feb. 1906	8 Feb. 1907	9 Feb. 1908
መጋቢት	10 Mar. 1903	10 Mar. 1904	10 Mar. 1905	10 Mar. 1906	10 Mar. 1907	10 Mar. 1908
ሚያዝያ	9 Apr. 1903	9 Apr. 1904	9 Apr. 1905	9 Apr. 1906	9 Apr. 1907	9 Apr. 1908
ግንቦት	9 May 1903	9 May 1904	9 May 1905	9 May 1906	9 May 1907	9 May 1908
ሰኔ	8 June 1903	8 June 1904	8 June 1905	8 June 1906	8 June 1907	8 June 1908
ሓምለ	8 July 1903	8 July 1904	8 July 1905	8 July 1906	8 July 1907	8 July 1908
ነሓሰ	7 Aug. 1903	7 Aug. 1904	7 Aug. 1905	7 Aug. 1906	7 Aug. 1907	7 Aug. 1908
ጳጉሜ	6- 11 Sep. 1903	6- 10 Sep. 1904	6- 10 Sep. 1905	6- 10 Sep. 1906	6- 11 Sep. 1907	6- 10 Sep. 1908
	ዘመነ- ሉቃስ	ዘመነ- ማርቆስ	ዘመነ- ዮሃንስ	ዘመነ- ማቴዎስ	ዘመነ- ሉቃስ	ዘመነ- ማርቆስ....

ናይ ኢትዮጵያ ሰሙናዊ መንልታት፣ ምስቲ ናይ ኤውሮጳ ይሳነ እዩ። እሁድ -ሰኞ -ማክሰኞ -ሮብ -ሓሙስ -ዓርብ -ቅዳሚ፣ ይበሃሉ።

ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ ፍሉይ ቆላሕታ ዝግብኦም፣ እቶም በብወርሑ ኣብ እተወሰነ መዓልቲ ዝኽብሩ በዓላት እዮም።

ዕለት 12 ናይ ነፍስ-ወከፍ ወርሒ፣ ቅዱስ-ሚካኤል ይበዓል። ዕለት 21፣ ማርያም-ድንግል። ኣብርሃም-ይስሓቕ-ያእቆብ፣ ብዕለት 28 ይኽብሩ። መድሃኔ-ኣለም ዕለት 29 ይውዕል።

ብቀሊሉ ክም ዝግንዘብ፣ እዚ በዓላት'ዚ፥ *ሃይማኖታዊ ብጽኡነት/ ወታሃደራዊ-ተውህቦ/ ጂኦ-ወላዲት/ ባህላዊ-ዕቃበ ስማዊ-መበቆል/ ክርስትያናዊ-ተሃድሶ* የዘኻኽር። እዚኦም እዮም ድማ እቶም ኣርባዕተ-መኣዝን ንሞራላውን-መንፈሳውን ህይወት ደቀ'ባት ቀይዲ ዝኾንዎ መትከ-ላት።

ዝዓበየ ድምቀት ዝወሃቦ ዓመታዊ-በዓል፣ መስቀል እዩ። እዚ ኣከታቲሉ ን ሳልስቲ ዝቕጽል ኣውደ-ዓመት'ዚ፣ ብ 16 መስከረም ይጀምር። እቲ ካብ መፋርቕ ወርሒ ግንቦት እትሒዙ ክሳብ ፍርቂ መስከረም ዝናዋሕ ናይ ክረምቲ እዋርሕ በዚ ስለ ዝድምደም፣ መስቀል ክም ተስፋ ጽቡቕ ምህርቲ፣ "ሲቪላዊ" በዓል እዩ'ውን ምተባህለ። ኣብዚ ወርሒ'ዚ፣ ክም ወርሒ-ግንቦት ኣብ ኢጣልያ፣ ክበሳ ብምልኡ ዕምበባ ይኸውን።

በዓል-መስቀል፣ ብጓይላ/ ውድድራት/ ደርፊ/ ሆየ-ሆየ/ተኹሲ ብረት...ወ.ዘ.ተ. ይደምቕ።

ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ ብስም ማርያም ዝውዕሉ በዓላት ብዝሕ ዝበሉ ብምዃኖም፣ ኩሎም ምጥቃስ ኣየድልን። ካብኣቶም ግን ዝያዳ ኣገዳስነት ዝግበረሎም፣ እቲ ብሓደ-መስከረም ብዓቢ ድምቀት ምስ ዮሃንስ-መጥመቕ ሓቢሩ ዝውዕልን፣ እቲ ብ 29 ታሕሳስ ዝበዓል በዓል ልደትን እዮም። በዓል ልደት፣ ኣብ'ቶም ዓመታት ኢትዮጵያ "ሲዘስቲል" ዝኾንሉ፣ ብናይ ኤውሮጳ 7 ጥሪ ይውዕል፣ ኣብቲ ስሩዕ ዓመታት ግን፣ ብ 8 ጥሪ ይበዓል። ነዚእም ድማ ብዕለት 28 ዕለት 30 ናይቲ ሰዓቡ ዝመጽእ ክም ብጹኣን ዝፍለጥ በዓል፣ ጽብብ ዝበለ ጾም ይግበረሎም።

ብስርዓት ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ዝምደቡ ጾም፣ ብዙሓት-ጽንኩራትን እዮም። ብዘይካ ልም-ዳውያን ዓርበ-ረቡዕ -ካብ ፋሲካ ንጰንጠቆስጠ ዘለው ግዲፍካ-እዞም ዝስዕቡ መዓልታት ይዝከሩ፥

1ይ ጾም፣ እቲ ን 15 መዓልቲ ዝጽወም ፍልሰታ

2ይ = ፣ 55 መዓልቲ ዝጸንሕ ዓቢይ-ጾም

3ይ = ፣ 41 = = ጾመ-ነብያት

4ይ = ፣ 40 = = ጾመ-ሃዋርያት

5ይ = ፣ ንጾመ ፋሲካ ብ 3 መዓልቲ ዝመርሖ ጾመ-ነነዌ

እዚ ድማ ንጾም ድሮ-በዓላት ንወገን ገዲፍካ እዩ።

ኣብ መዓልቲ በዓላት ዝበሃሉ ቀዳመ-ሰንበት፣ ጾም ኣይጽወምን። ክርስትያን ዘበሉ ኩሎም ንጾም ብጥንቃቐ ይኪታተሉ። ካብ ስጋ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ዝኾነ ምስ ስጋ ዝዛመድ ምግብታት እውን(ጠስሚ-ጸባ-ዓሳ...) ክልኩላት እዮም።

ዘይቅውማት በዓላት፣ ንናትና(ኢጣልያ) ብዝመስል ኣገባብ፣ ብፋሲካ ይውሰኑ። ንመዓልቲ ፋሲካ ዝውስን ድማ፣ ኣብ እስክንድርያ-ግብጺ ዝነብር ናይ ተዋህዶ "ብትርያርክ" እዩ። ምርኩሳ ጸብጻቡ፣ እቲ ክም ናይ "ሰማእታ" ወይ ናይ "ዲዮክለጽያና"(284 ዓመት ቅ-ል.ክ.) ዝፍለጥ መዋእል ኰይኑ፣ ብዝተመሓላለኸ ናይ ፍቕዲ ኣገባብ ኣብቲ De emendatione temporum ዘርእስቱ ዓቢ ጽሑፍ ተገሊጹ ይርከብ።

«ስካሊጀር» ክም ዝእምና፣ እስክንድራውያን እዮም ነቲ ብመሰረት ሓዳስ-ወርሒ ዝውሰን ፋሲካ ዝሕብሩ በብ 19 ዓመት ዝፍጸሙ ዙርያታት፣ ንመጀመርያ ወሲኖም ይብል። ስለ'ዚ እዩ'ውን ካብ ጥንቲ-ዘመናት እትሒዙ ንመላእ ኣመንቲ-ክርስትና ዘገልግል ምውሳን ዕለት ፋሲካ ንናይ እስክንድርያ-ብትርያርክ ቀዳምነት ዝፍለጠሉ።

ኣብ ዝሰዓበ እዋናት ብዘጋጠሙ ፍጻሜታት እዮም ቀጺሎም ላቲናውያን ኮኑ ግሪካውያን በብ-ወገኖም፣ ብዝተፈላለየን-ርእሱ ዝኸእልን ኣገባብ እናተጠቕሙ መዓልቲ ፋሲካ ክውስኑ ጀሚሮም። ናይ እስክንድርያ ቤተ-ክርስትያን ግን ዛጊት በቲ ጥንታዊ ኣገባብ ይጥቀም።

ነዚ ምሉእ ዘይኮነ ሓበሬታ ንምድምዳም ድማ ክጥቀስ ዝግባእ፣ እቲ ብዘመነ "ጁልዮ-ቸዛረ" (ቄሳር) ኮነ "ኣውጉስቶ" ብህይወቱ ዝነበረ«ዲዮስኮሮ-ሲኩሎ» ክም ዝምስክሮ፣ እቲ ብመሰረት

30 መዓልታት ዝፈቕዱ 12 ኣዋርሕ ጸጉሚ ወሲኽካ ዝማላእ ዓመት ናይ ግብጺ ዓውደ-ኣዋርሕ፣ ማለት እቲ ስዒቦም ኢትዮጵያውያን እውን እተኸተልዎ ፍቕዲ፣ ቅድም'ቲ ናይ «ጁልያኖ» እዩ ዝነበረ። እዚ ናይ ጁልያኖ እዩ'ውን ነቲ 30 መዓልቲ ዝፍቕዶም 12 ኣዋርሕ ክሀልው ዝወሰነ ኣብ ግብጽን-ኢትዮጵያን ዝጸንሐ ኣገበብ-ፍቕዲ ተኪእዎ።

እዚ ድማ፣ ንኢትዮጵያ ብዝምልከት፣ ቅድሚ ናይ "ኣግኣዚ" ወራር ዝኣተወ ይመስል። ምኽንያቱ፣ ኣግኣዚ ንባዕሎም በቲ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝጸንሖም ኣስማት ኣዋርሕ እዮም ተጠቒሞም። ኣስማት ናይ'ቶም ኣዋርሕ ድማ፣ ብቋንቋ-ግእዝ ኣይትርጉምን።

2ይ- ምልከታ

ኣብ መረብ-ምላሽ/ መሬት-ከረን ዝዝውተሩ ሚዛን-ስፍርታትን

ኣከፋፍላ ግብሪ ኩሉ ምስ ደቀ'ባት ክሀሉ ንዝኽእል ንግዳዊ-ንጥፈታት ንምምሕዳር፣ እቲ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝዝውተር ሚዛን-ስፍርን ምስቲ ናትና(ኢጣልያ) ዝሀልዎ ዝምድና ምፍላጥ፣ ኣድላዪ እዩ። ምእንት'ዚ ድማ፣ እቲ ኣብ መረብ/ምላሽን ጥቓኡ ዝርከብ ተዛማዲ መሬት-ከረን ዝዝውተሩ ስፍርታት፣ ከምዚ ዝስዕብ ምኻኖም ይግለጽ፥

ኣብ መረብ/ምላሽ

ራሕቂ ዝልክው ስፍሪ

እመት፥ እቲ ካብ ኩርናዕ ኣትሒዙ-ክሳብ ማእከላይ ኣጻብዕ ናይ ዝርጉሕ ኢድ ዘሎ ራሕቂ ይሕብር። ነዚ ዝልክዕ ሰብ ቁመቱ ብዘየገድስ፣ ብዓዲ እውን ንሸያጢ ክቕርበሉ ይኽእል። ኣብ ዓዲ ዝእለው ዓለባታት ጋዚ፣ ንእመት ዕጽፊ እናወሰኽካ እዮም ዝልክዉ፣

ዕጽፊ ድማ፣ ቁመት ማእከላይ-ኣጻብዕ እዩ።

ክብሪ ዝበሉ ዓለባን፣ ካብ ወጻኢ ዝኣትው ዓለባ ጡዋን ግን፣ ዕጽፊ ኣይወድቆምን።

ማእከላይ ራሕቂ ሓደ-እመት= 50 cm.(ሰንቲመትር) ኣቢሉ ይኸውን።

ስድሪ፥ ዳርጋ ፍርቂ-እመት እዩ። ካብ ጫፍ ዓባይ-ዓባይቶ ክሳብ ጫፍ ማእከለይቶ ኣጻብዕ-ኢድ ዘሎ ራሕቂ ይሕብር።

መጽዓን፥ሰኸሚ እንስሳ-መጽዓኛ ዝጠምር ምራን-ቆርበት እዩ። ሓደ-መጽዓን፣ 24 እመት እዩ። ዳርጋ 12 ሜትሮ ኣቢሉ ድማ ይግመት። ንውሕ ዝበሉ ራሕቅታት ንምልካዕ የገልግል።

ዝባን ወይ ገጽ-መሬት

መለክዒ።

መዓልቲ-ጽምዲ፥ ጽምዲ-ብዕራይ ኣብ ሓደ-መዓልቲ ዝውዕሎ ዕዮ ይሕብር። ሕርሻዊ ስፍሓት-መሬት ንምልካዕ እዩ'ውን ዘገልግል። ከምኡ ዝውዕልዎ ጽምድታት ድማ በዚ መለክዕ'ዚ ዝንመቱ ግራውቲ፥ መዓልት-ጽምዲ/ መዓልት ክልተ-ጽምዲ/ መዓልት ሰለስተ-ጽምዲ...ይብሃሉ።

እዚ መለክዕ'ዚ ግን፡ ከከም ኣውራጃኡን -ዝስዕብ ፍልልይ ባህርያት መሬቱን(ስለ'ዚ እውን ከከም ጻዕሪ-ዕዮኡ) ይፈላለ እዩ።

ኣብነቶም ሰለስተ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ወረዳ፡ መዓልት-ጽምዲ ዝሀልዎ ስፍሓት ከምዚ ዝስዕብ እዩ፥

-ኣብ ሓማሴን-ሰራዩ «መዓልት-ጽምዲ» ክበሃል እንከሎ፡ 1500 ሜትሮ/ትርብዒት ኣቢሉ ይግመት።

-ኣብ ኣከለ ጉዛይ ግን፡ እቲ መሬት ልስልስ ስለ ዝብል፡ ዳርጋ ዕጽፊ ይኸውን።

መስፈር እኽሊ

ብዝሕ ዝበሉ'ኳ እንተኾኑ፡እቶም ብሓባር«ሚዛን» ተባሂሎም ኣብ ግብረ ዘገልግሉ ስፍርታት፥ እሲ ወይ ካዕቦ/ ዝቧን እዮም።

እሲ ወይ ካዕቦ፥ ራብዓይ-ኣፍ(1/4)ዝቧ ብምዃኖም፡ ሓባር-ረቛሒ መስፈር እኽሊ ክበሃሉ ምተኻእለ።

ኣብ መሳእ'ዚ መሬት፡ እስማት-ዝምድናን መስፈርታት ሓደ እኳ እንተኾኑ/ ትሕዝቶኦም ከከም ዕዳጋኡ ይልወጥ። ነዚ ዝውስኑ ድማ፥

1ይ- ኣብ ሓማሴን፡ ዕዳጋ-ጸዓዘጋ እዩ -

2ይ- ኣብ ሰራዩ፡ ዕዳጋ-ኩዶፈላሲ -

3ይ- ኣብ ኣከለ-ጉዛይ፡ ዕዳጋ-ሓሙስ - እዮም።

ብቕድም'ቲ 10 ዓመት ዝጸንሐ መግዛእቲ-ትግራይ(1879 -1889 ዓ.ም.)፡ ኣብ መረብ/ምላሽ እዞም ሰለስተ እተጠቕሱ ዕዳጋ እዮም ንምሉእ ንግዳዊ-ንጥፈ ናይ'ዚ ዞባ ዝመርሑ ነይሮም።

ዕዳጋ-ጸዓዘጋ፥ ብቀዳም/ ዕዳጋ-ኩዶፈላሲ፥ ብሰሉስ/ ዕዳጋ-ሓሙስ ድማ ከም ስሙ ብሓሙስ እዮም ዝውዕሉ ዝነበሩ።

ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ዝዝውተር ስፍሪ እቲ ዝነኣሰ ኩይኑ፡ ዝዓበየ ስፍሪ፡ ናይ ሰራዩ እዩ። ነዚ ክልተ-ስፍርታት ማእከላይ ገምጋም ምስ ዝግበረሉ ድማ፡ ኣብ ሓማሴን ዝዝውተር ስፍሪ፡ 3/5(ሰለስተ-ሕምሲት)ናይቲ ኣብ ሰራዩ ዝዝውተር ክኸውን እንከሎ፡ ብናይ ኣከለ-ጉዛይ ዓቐን ድማ፡ 2/5 (ክልተ-ሕምሲት) ኣቢሉ ይኸውን።

ንስፍሪ ዘገልግሉ ናውቲ፡ ብዕንጸይቲ ወይ ብላኽ ይስርሑ።

ሚዛን እኽሊ ድማ፡ ብኹምሮ እምበር፡ ኣይምድመድን።

ኣብ መረብ/ምላሽ ዝዝውተሩ «መስፈር-እኽሊ» ብሰሌዳ

ኣስማት-መማዝንትን		ትሕዝቶኡ ብሊትሮ					
		ኣብ ሰራየ		ኣብ ሓማሴን		ኣብ ኣከለ ጉዛይ	
	ይኸውን						
ትሕተ-ረባሕታ							
ፈረቓ-ሽልያ	ፍርቂ-ሽልያ	–	40	–	24	–	16
ሽልያ	2 ፈረቓ-ሽልያ	–	80	–	48	–	33
ኩፉሉ	2 ሽልያ	1	59	–	96	–	67
እንቅን ወይ ጸባ	2 ኩፉሉ	3	18	1	93	1	35
ምዕር	2 እንቅን	6	37	3	87	2	71
ካዕቦ ወይ ልኪ	2 ምዕር	12	75	7	75	5	42
ረባሕታ							
ንፍቂ	2 ካዕቦ	25	50	15	50	10	85
መስለስ	3 ካዕቦ	38	25	22	25	16	27
ገቢታ	4 ካዕቦ	51	00	31	00	21	70
እንፍቕቲ	2 ገቢታ	102	00	62	00	43	40
ጃዒት	2 እንፍቕቲ	204	00	124	00	86	80
እንጥላም	2 ጃዒት	408	00	248	00	173	60
ካዕቢ	2 እንጥላም	816	00	486	00	347	20

ሚዛን ናይዚ ስፍርታት'ዚ ናብ ኪሎግራም ንምልዋጥ፡ እኽሊ-መሽላ እዩ ናይ ሓባር-ረቛሒ። ብመሰረት'ዚ ድማ፡

ሓደ-ካዕቦ መሽላ፡ ኣብ ሰራየ - 8,75 ኪሎግራም ይምዝን።

ኣብ ሓማሴን- 5,300 " "

ኣብ ኣከለ-ጉዛይ- 3,700 " "

ከምዚ'ሉ እተወሰነ ድማ፡ ማእከላይ ሚዛን መሽላ= 0,686 ኪሎግራም ንሓደ-ሊትሮ ስለ ዝግመት እዩ።

ስፍሪ-ፈስስቲ

ኣብ ሰራየ ዝዝውተሩ ስፍርታት፣ ኣስማቶም ኮነ ዓቐኖም ልክዕ ከም'ቶም ኣኽሊ ዝስፈረሉ እዮም።እቶም ንመለክዒ ዘገልግሉ ናውቲ፣ ብመሬት ይስርሑ።
ኣብ ሓማሴን፣ ጠስምን-መዓርን ብ «ጣሳ» ይስፈር። ጣሳ ብመሬት ዝስራሕ መስፈሪ ኮይኑ፣ትሕዝቶኡ ዳርጋ 3-ሊትሮ ኣቢሉ ይኸውን።
ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ዝዝውተር መስፈሪ፣ተመሳሳሊ እዩ፣ «ፊዮ» ግና ይበሃል።
ሓደ-ፊዮ ዳርጋ 4-ሊትሮ ይጸውር።

ብዘይካ'ዚእም ድማ ኣብ ምሉእ መረብ/ምላሽ ዘገልግሉ ካብ ኤውሮጳውያን እተወስዱ 2 መስፈርታት ይዝውተሩ፥

ፕርሙዝ ኣሃስንቲ፥ ሓደ-ሊትሮ ይስፈር። እቲ ጠራሙዝ፣ ህዝቢ-ሓበሻ ኣዝዩ ዝፍትዎ«ኣቦስንቲ»እተባህለ ኣልኮላዊ-መስተ ዓሺጉ እዩ ድማ ካብ ገማግም ንከበሳ ዝለኣኽ ዝነበረ።

ኩባዮ ኤውሮጳዊ-ስራዊትና ስንቂ-ስጋ ዝዕሽጉሉ ታኒካ (ሲቃጥላ) እዩ። ተቐጥቂጡን-ተጋፊሑን 25-ሰንቲሊትሮ ኣቢሉ ይጸውር። ውሑድ-ትሕዝቶ እኳ፣ ብኩባያ እውን ይስፈር እዩ። እዚ ስፍር'ዚ ካብ መረብ ሓሊፉ፣ ኣብ ዕዳጋ ዓድዋ እውን የገልግል።

ግምት ሚዛን

ኣብ ምሉእ መረብ/ምላሽ ንዝዝውተሩ ሚዛን ብሓባር ዝረ-ቑሖም «ቅርሺ-ባጤራ ማርያ-ተረዛ»እዩ። ብናትና(ኢጣ-ልያ) ዕስረታዊ ናይ ኣከፋፍላ ኣገባብ ድማ፣ 27-ግራም ኣቢሉ ይምዘን።
ሚዛን 16-ቅርሺ ተመዚኑ ዝኸውን 0,432 ኪሎግራም፣ «ንጥሪ» ይበሃል።

ንጥሪ፥ ብፈረቓ(1/2)/ ርባዕ(1/4)/ ስምኒት(1/8)... ተመቒሉ፣ ንዝሰዕብ ኣገባብ ይኸተል፥

ፈረቓ-ንጥሪ 8 ቅርሺ ይምዘን = 216 ግራም ምኻኑ እዩ።

ርባዕ-ንጥሪ 4 ቅርሺ ይምዘን = 180 " " "

ፍሆም-ንጥሪ 2 ቅርሺ ይምዘን = 54 " " "

ሕልቂ 1 ቅርሺ ይምዘን = 27-ግራም ድማ ይምዘን።

ንደቀቕቲ ሚዛን ድማ፣ ሕልቂ ኣብ 16 ክፋል ተመቒሉ፣ «ደርሂም» ይበሃል።

* * *

አብ ምድሪ ከረን

ናይ ራሕቂ ስፍሪ

አብ መሬት-ከረን ዝዝውተሩ ስፍርታት፡ በቲ ኣብዚ ዞባ'ዚ ዓብላሊ ዝኾነ ቋንቋ-ትግረ ይድመጹ።

ኣመትቲ ምስ ናይ መረብ/ምላሽ ሓደ እዩ ዓቐኑ።

ሰድርት ከም ናይ መረብ/ምላሽ ኰይኑ፡ ፍርቂ-ኣመት እዩ ገምጋሙ።

ጸፍርቲ ናይ መረብ/ምላሽ መጽዓን ይመስል። አብ መሬት ከረን ግን፡ ብ ኣመት ይልካዕ። ብሓፈሻኡ ግና፡ ሓደ-ጸፍር= 12 ወይ 24 ኣመት እዩ ራሕቁ።

ዓቐን ዝባን-መሬት ትሕዝቶ እኽልን

ኣምዕል-ማወልቲ (መዓልቲ-ዕዮ)፡ ብጽምዲ-ብዕራይ አብ ሓደ-መዓልቲ ክሕረስ ዝከኣል ዝባን-መሬት የመልክት። ብግምት 2500 ሜትሮ-ትርብዒት አቢሉ ይኸውን።

ትሕዝቶ እኽሊ ንምስፋር፡ **ከፋሎ** እዩ ከም ናይ ሓባር መስፈር ዘገልግል። ብቆጽሲ-ስየ/ቀርበት-ጠልን ዝሰፈ ስፈ ትሕዝቶ ሓደ-ከፋሎ = 5,20-ሊትሮ አቢሉ ይኸውን። ብሚዛን ድማ እንተድኣ ሓደ-ሊትሮ ፈሳሲ=0,686 ኪሎ-ግራም መሸላ ኰይኑ ሚዛኑ፡ ሓደ-ከፋሎ= 3,600 ኪሎ-ግራም መሸላ ምዃኑ እዩ።

ረባሕታን- ትሕተ ረባሕታን ናይዚ ስፍርታት'ዚ ንምንጻር፡ እዚ ዝስዕብ ሰሌዳ ንመልከት፥

ገበታ 4 ኣብዒላ እዩ 124 ሊትሮ ዳርጋ አቢሉ ይጸወር።

ኣብዒላ 6 ከፋሎ = 31 ሊትሮ = = =

ከፋሎ 2 ሽልያ = 5,20 ሊትሮ = =

ሽልያ 2 ጋብእሽልያ እዩ 2,60 = = =

ጋብእሽልያ 2 ካፈን እዩ 1,30-ሊትሮ = =

ካፈን =ክልተ ኣእዳውካ ብጽምዲ ኣሕቢርካ እትሕዞ ዕማኹ እዩ።

ተመልከትተ፡ አብ መሬት-ቢለን ዝዝውተሩ ስፍርታት፡ ነዞም ከዋቀሱ ዝጸንሑ ኣገባብ ይኸተሉ። አብ መሬት-ከረን ዝርከቡ ካልኦት ህዝቢ-ብሄርን ግን፡ኣስማት ናይቲ ስፍርታት ድኣ ኣይለውጡ እምበር፡ዓቐን-ትሕዝቶኦምን ይፈልይዎም እዮም። ንኣብነት፡ አብ ህዝቢ-መንሳዕ ትሕዝቶ ከፋሎ ካብቲ ናይ ከረን ለጠቕ ድኣ ይበል'ምበር፡ ኣብዚ'ውን 4 ኣብዒላ= ሓደ-ገበታ ይብልዎ። ንሓደ-ገበታ ዝመስል ስፍሪ፡ አብ ብንዓምር ሞኸላዓት ይበሃል።

ስፍሪ ፈሰስቲ ጠስሚ-መዓር...ወ.ዘ.ተ. ዝኣመሰሉ ፈሰስቲ ብ *ታናካት* ይልከዑ። ትሕዝቶ ታናካት ዓቕሚ ሽልያ ኰይኑ፡ ዳርጋ 2 ሊትር-ፈረቓን ይጸውር። ታናካት አብ ብን-ዓምር፡ «ሞኸላዓት» ይበሃል።

አብ መሬት-ከረን ክብሪ ዘለዎም ሃለኸቲ፡ ብሚዛን ይልከዑ። 27 ግራም አቢሉ ዝምዘን ቅርሺ ማርያ-ተሬዛ፡ «ርያል» ተባሂሉ ናይ መምዘኒ ዓቐን ይኸውን። ኣብዚ ዞባ'ዚ ዝዝውተሩ ስፍ-ርታት፡ ካብ ቀቢላ ናብ ቀቢላ -አብ ሓደ ቀቢላ'ውን ካብ ቦታ ናብ ቦታ- ዝለዋወጡ'ኳ እንተኾኑ፡ ልዕል ኩሉ ዘገልግል ስፍሪ እቲ ናይ ከረን እዩ። አብ ከረን እውን እኽሊ ብኹምሮ እምበር፡ መድሚድካ ኣይስፈርን።

3ይ- ምልክታ

ናይ ሩስያ «ሚር»

እዚ «ሚር» እተባህለ ኤውሮጳዊ-ትካል፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ «ዓዲ» ዝብልዎ ይመስል። "ፕሮፌሶር ማሪነሊ" ኣብቲ «መሬት» ዘርእስቱ ጽሑፉ፡ ብዛዕባ ሚር ክጠቅስ እንከሎ ከምዚ ዝስዕብ ገይሩ ይገልጾ፥

ብ ቋንቋ-ዝላቭ «ሚር» ክበሃል እንከሎ፡ ብቋንቋ-ጥልያን «ህዝቢ» ወይ «ኣሃዱ» የስምዕ። ሚር፡ ባዕሉ-ዝመሓደር ትካል እዩ። ምስ ማእከላይ-ስልጣን ዝኣስሮ ድማ፡ እቲ ክበርክቶ ዝግባእ- ብሰራዊትን/ገንዘብን ዚግለጽ ግብረ-መንግስቲ እምበር ካልእ ኣይኮነን።

ነፍሲ-ወከፍ ሚር፡ «ሽታሮስታ» እተባህለ መራሒ ይርከቦ። እዚ ሽታሮስታ ዝብል ስም፡ ካብ «ሽታሮ» ማለት ሽማግለ ዝመጸ ቃል ብምዃኑ፡ ብዘመኑ እቲ መራሒ ብዕድመ መሰረት ይምረጽ ምንባሩ ይሕብር። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ግን፡ዕድመ ብዘየገድስ ንሰበ-ስልጣን ዝፍቀድ መዝነት እዩ ኮይኑ።

ሚር እዩ ድማ ንሽታሮስታ ዝመርጾ። ስልጣኑ ድማ፡ ነቲ ሚር ኣብቲ "ስኮድ" እተባህለ ባይቶኡ ከም ዝለዓለ ስልጣን መጠን ዘጽድቖም ውሳነታት፡ ኣብ ግብሪ ምትርጓም ይውስን።

ምስሒት-መሬት/ ሓደስቲ እተወሰኑ ግብረ-መሬት/ ናይ ሓባር ዕዮ/ ምዕቃብ ንብረት-ሚር.. ዝኣመሰሉ ውሳነታት፡ ኣብ «ስኮድ» ይውሰኑ። መሰረት ሚር ድማ፡ ናይ ሓባር ኣሃዱ ስለ ዝኾነ፡ ናይ ሓባር ባዕለ-ምምሕዳር እዩ ስርዓቱ። መሬት'ውን ብሓባር ይውነን።

ብዘይካ ዝነብርዎ ቤትን-ኣብኡ እተዘርኡ ኣትክልትን፡ ዋንነት-መሬት ብውርሻ ኣይመሓላለፍን። ነቲ ብውርሻ ዝመሓላለፍ ንብረት ዝወርስ'ውን፡ ወድ-ዓዲ ክኸውን ይግባእ። ንሕርሻን-መጓሰን ዝውሰኑ መሬት፡ እቲ ስኮድ እተባህለ ባይቶ ኣቦታት እዩ ንውዕለት ዝዕድሎ። እዚ ድማ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ ብዝህልዎ ፍቕዲ ደቅ-ተባዕትዮ ይውሰን።

ኣባል ናይቲ ኣሃዱ፡ ክየቋረጸ ግብረ-መሬት ምስ ዝኸፍል፡ መሰሉ እውን ዝተሓለወ እዩ።

እዚ ናይ ሚር ኣገባብ፡ ነቲ ኣብ ሩስያ ዓብላሊ ዝኾነ ኣባታዊ-ስርዓት ይመስል። ስድራ-ቤት ክበሃል እንከሎ ድማ፡ ንባዕሉ ንኡስ-መንግስቲ እዩ። ኣቦ ዝህልዎ ልኡላዊ-ስልጣን ፍጹም እዩ። ውላድ ብወገኑ፡ ኣቦ ምስ ዝኸውን እዩ ጥራሕ ካብ ስልጣን-ኣቦኡ ዝላቐቕ።

ኣብ ሩስያዊ-ባህሊ፡ ጓል-ኣንስተይቲ ብወገን ኣቦኣ ኮነ ብወገን በዓል-እንዳኣ፡ ኣብ ናይ ሓባር ዋንነት ኣይትሳተፍን። ፍሉይ ሕድገት ተገይሩላ ግን ብነብሳ ክትሰርሕ ይፍቀድ። ስድራ-ቤት ዝንጸል፡ ብናይ ሓባር ፍቓድ እዩ። ወይ'ውን ብፍቓድ ኣቦ፡ ሓደ-ውላድ ካብቲ ስድራ ክርሕቕ ምስ ዝደሊ፡ መውጽኢ ሓዳሩ ህያብ ተገይርሉ ካብቲ ስድራ ይፋኖ።

ብልምዲ፡ ሚር ዝውንኖ ዋንነት፥ መሬት(ዋላ'ውን እቲ ኣባይቲ ዝህነጹሉ)-ቀላያትን/ እንዳ-መጥሓን/ እንስሳ መጓሰ/ ናይ እንስሳ መፋረዪ-መደበሪት/ንዘመን ኣኬሒዳ ወይ ንዘርኢ ዝኾኑ እኽሊ-መዐሸግታቱን/ እዮም ንብረቱ ብሓፈሻ።

ኣተዓዳድላ-ብጽሒትን ናይዚ ዋንነት ኮነ/ ንውልቃዊ-ዕዮን ዝምልከቱ ጉዳያት፡ «ሚር» ኣብ መሰረታውያን ባእታታቱ ይኸፈል። እዞም ባእታ ድማ፡ ብንኡሳን-ተራድኣታት ዝቖሙ ጉጅለታት እዮም። ንውሱን ዕዮ ተመዲቦም፡ ሰዓቦም እናቀጸሉ ዝዓብዩ «ተራድኦ» እዚኦም፡ ብመጀመርያ ኣብ ውሽጢ-ክርሲ ናይቲ ሚር እዮም ዝዕምብቡ። ከምዚ ዝበሉ ናይ መባእታ-ኣሃዱ፡ ኣብ'ቶም «ዓበይቲ-ሩሲያውያን» ዝባሃሉ ቀቢላ፡ "ኦዝማክ" ይበሃሉ። ኣብ ካልእ ድማ ከም "ትያግሎ" ይፍለጡ።

ምስሒት ናይቲ ን «ሚር» ዝብጽሖ መሬት/ እቶት ናይ'ቶም ክንጸሉ ዘይክእሉ ትካላት/ ኢታውን-ወጻእን ርእሰማል፡ ከም ልምዲ፡ ንሓደ-ስድራ ወይ ንነፍሲ-ወከፍ ተባዕታይ ብኣፈ-ብርኪ ዘይኮነ፡ በብጉጅለ እዩ ዝኽፈል። ካብዚ ሰዓቡ ድማ ብደረጃ ስድራ መብዛሕትኡ ጊዜ ብፍቕዲ ደቅ-ተባዕትዮ ይዕደል።

ከም ልምዲ፡ ኣብዚ "ኦዝማክ" እተባህለ ትካል፡ ሓድሕዳዊ ደገፍ-ምትሕብባርን-ናይ ተራድኦ መንፈስን-እሩም-ማዕረን ዝኾነ ምትሊት መስል/ግቡእን ነጊሱ ይርከብ። ንዝሓመመን-ዘይከኣለን

ኣባል፣ ደገፍ ይግበረሉን- ካልኣት ኣብ ቦታኡ ይሰርሑን። ንሱ'ውን ኣብ ዝኸኣለሉ-ዓቕሙ ብዝፈቐዶን ብግደኡ ጉልበት ከይቆጠበ ከምኡ ዝኣመሰለ ኣበርክቶ የወፊ።

ኣዋድቓ-ወይ ምስሒት መሬት ኣብ ዝምደበሉ፣ ንቕድም ዝሰርዑ ረቛሒታት፥ ዓይነት ናይቲ መሬት/ ገምጋም እቶቱ/ ዝሕተት ሓይለ-ጉልበት/ ነፍሰ-ወከፍ ኣዝማድ ዘውንኖ ርእሰማልን ኣብ ግምት ብምእታው ድኣ'ምበር፣ ብፍቕዲ ኣባላቱ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ድማ ኣንስትን ቈልዑን-ሕሙማትን ዝዕብልልዎ ኣዝማድ እውን ክጋጥም ስለ ዝኽእል።

ከም ልምዲ፣ ዱር ኮነ ግጠሽ፣ ናይ ሓባር-ዋንነት ብምዃኖም፣ ኣይምቀሉን።

ሳሕቲ ዘጋጥም ተርእዮ'ኳ እንተኾነ፣ ሚር ህላዌኡ ከብቅዕ እውን ዝከኣል እዩ። ነፍሰ-ወከፍ ኣባሉ'ውን ብሕጊ መሰረት ምቅሊት መሬቱ ክስላዓሉ መሰሉ እተሓለወ እዩ። ብልምዲ ግን፣ እንጸሩ የጋጥም። ማለት ሚር እዩ ድኣ ነቲ ብውልቂ ክውነን ዝጸንሐ መሬት ዝቖጻጸሮ። ብመሰረት ናይቲ ሓድሽ ዝተኣታተወ ናይ ሕርሻ ሕግታት፣ እቲ ነጻ ንዝተባህሉ ጊላታት ከም ሓድሽ እተዓደለ መሬት ብሓፈሻኡ፣ ብናይ ሓባር-ዋንነት እዩ ተዓቂቡ ጸኒሑ።

* * * * * * * * * *

መደምደምታ

ብዓይነይ ዝረአኹዎ መረብ/ምላሽ እምበኣርከስ፡ ከም ዘለዎ እየ ታሪኹ ኣመዝጊበ።

ዓሰርተ-ዓመት ብድሕር ምዝዛሙ፡ ቅድሚ ናብ ቤት-ማሕተም ምሕላፉ፡ ነዚ መጽናዕቲ ተመሊሰ ኣብ ዘንበብክሉ፡ብሕንቕንቕ ነቲ ብጥዑም-ጊዜ ዝፈጸምክዎ ኣድንቖቱ ዘይርሳዕ መገሻ በእምሮይ ተመሊሰዮ። ሓበረታ ዝረኸብክሉ ምንጭታት እንደገና ተመራሚረ፥ ኣበይ -መዓስ -ከመይ -ካብ መንን እየ ሓበረታ ሰኒቅ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ከብቅዕ ክኢለ ? ዝኣመሰለ ሕቶ እዩ ኣብ ኣእምሮይ ረጊኡ።

ዝቐረቡለይ ንቐፈታ ደጊመ ኣመዛዚነ ብድሕር ምስትውዓል፡ ከልወጡ ዝግበኦም ኣሰራት እውን ኣይረኸብኩን። ልክዕ'ዩ፡ ብድቕቕ ዝበለ መጽናዕቲ ከእረሙን-ከመሓየሹን ዝግ-ብኦም ፍሉያት ጉዳያት ኣይስኣኑን። ምእንት'ዚኦም ግና፡ ሓፈሻዊ-መስመራት ናይ'ዚ መጽናዕቲ ኣይልወጥን።

ምናልባት ነቲ ከም ንቑሕ ተዓዛባይ፡ ብውድዓውነት -ህድኣት -ዘይሻርነት ከቕርቦ ኢለ እተበገስክሉ ዕጋት ሰጊረ፡ እንሓንሳእ ብስምዒት ተደፊአ፡ ዓቕን-ሕብሮምን ለዊጠ ዘቕረብክዎም ጉዳያት ይህልው'ኹኑ። ኰይኑ ግና፡ ኣብ መጽናዕተይ እናደፋእኩ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ብዛዕባ'ቲ ቦታ ኣፍልጦ እናደለብኩ የቕርቦ ንዝነበርኩ ፍሉይ ርእ-ይቶ፡ ወቐሳ ድኣ ቐረቡኒ'ምበር፡ ኣብ ድርሰተይሲ ዝኾነ ዓይነት ማሕለኻ ኲነ/ፍተሻ ኣይተገብሩለይን። ኲታስ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ብዝተኸተልክዎም ሓፈሻውያን-መስመራት፡ ዕጉብ እየ።

ኣነ ከም ዝእምኖ፡ ሓቂ ኣብ ምልኣቱ ዝገሃዶ፡ ነቲ ብልኡል ስምዒት ተደፊኡ ዘናድዮ ተመራማሪ'ምበር፡ ነቲ ብዝሑል ወይ ርጉእ ምስትውዓል ተጠቒመ ክሰርሕ ዝበለ ሰብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ነዚ ዳሕረዋይ ኣገባብ ምኽታል፡ ኣብ ሓደ ፍሉይ-መልክዕ ወይ ተምሳል ናይ ሓደ ተርእዮ ተወሲንካ ምስራሕ ማለት ስለ ዝኸውን፡ እቲ ሓሳብ ንባዕሉ ሕጹር እዩ።

ከምቲ ናይ ሸዑ፡ ሎሚ'ውን እንተኾነ፡ ኤርትራን-ገለጻኡ ዝኾነ መረብ/ምላሽን፡ ከም ናይ መግዛእቲ-ሃገር ምግማት ኣይግባእን። ከምቲ ናይ ሸዑ፡ ሎሚ'ውን እቶም ኣብዚ ዞባ'ዚ ናይ ሓባር ንቕሓት ዝሃነጹ ናይ ጆግራፍን-እትኒክን ታሪኻውያን ረቛሒታት፡ ዓቢ ኣኽብሮት ከም ዝግበኦም ይኣምን።

ምንም'ኳ ወደ'ባት ብዘይካ-ጫማ ጥራሕ እግሩ መሬት ዝረግጽ/ ጸጉር-ርእሱ ልኻይ ቀቢኡ/ጥዑም ዝብሎ መግቢ፡ " ብርንዶ " እንተተባህለ (ጥዑይ መንፈስ ዝሃንጹ ኣገደስቲ ከብርታት ከነሶም)፡ ብእንታይነቱ-ኣእምሮኡ-ተፈጥሮኡ፡ ኣብ ደረጃ ኣንትሮ-ፖሎጅያዊ ኣከፋፍላ፡ ኣብ ክብ ዝበለ ቦታ እዩ መንበሩ።

ከምቲ ናይ ሸዑ፡ ሎሚ'ውን ዘይለወጥክዎ እምነት፡ ደቀ'ባት ዝኣምኑሎም ናይ ጥንቲ ቅዋማትን/ዘድንቑ ጥበባቶምን፡ ብዘይምስትውዓል፡ ኣብ ሓደ እዋን ምፍራሶም ኣይግ-ባእን። ምትካእም ምስ ዘድሊ ድማ፡ ኣንዊሕካ ብምሕሳብን/ምስ ደቀ'ባት ብዝሰማማዕ መንገድን ክኸውን ይሕተት።

እዚ'ኸ ነቶም ብምስትውዓል ተንዲፎም ዝበሃሉ ንድፊ፡ ከመይ'ሉ ይጸረሮም ?

ብኣንጻሩ ድኣ፡ ኣብ ክንዲ ብመሰረት ብዝሒ ሰበ-ስልጣን/ ውድባት/ ጊዜያዊ ጥቕም-ታት/ ምልውዋጥ ኩነታት/ እተወስዱ ስጉምቲ(ብኢጣልያ)፡ ነቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ኣገባብ ተኸቲልና እንተንኸውን፡ ብዙሓት ጌጋታት ኣይምገጠሙናን። ንኣብነት እቲ ንብዙሕ ዓመታት ጉልበትና ዘባኸነ «ጉዳይ-ዶባት»፡ ብቐሊሉ ምተፈትሐ። ክርዳእ ዘይክኣል ናይ «ከሰላ» ሕድገት እውን ነዚ ሃብታም-ብሉጽን ወረዳ ካብ ኤርትራ ምንጻል ኣይመኸተለን። ካብ'ዞም ክልተ ኣብ መወዳእታ እተጠቕሱ ዓበይቲ መስመራት መግዛእታዊ-ፖሊቲካና ዘንጽሩ ኣብነት ወጺእና ግና፡ ኣብቲ ምጡን ውሽጣዊ መግዛእ-ታዊ ምምሕዳር ምስ እንውሰን፡ እቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ሓፈሻዊ-ስምዒታት ደቀ'ባት ኣስተውዒልናሉ እንተንኸውን፡ እቶም ከም ናይ በዓል ደጊያት-ገብረመድህን/ ልጅ-

ኣበራ ደጊያት ባህታ-ሓጐስ ዝኣመሰሉ ተቓውሞታት-ሳዕቤናቶምን፡ ኢደመጋጠሙናን። እዚ ድማ፡ ንጣዕሳ ዘይኮነ፡ ንመጻኢ ትምህርቲ ክኸውን እዩ ዝጥቀስ ዘሎ።

እቲ ካብ ኣካላ ጕዲሉ/ ብደም ጸጊባ/ ንሞት እተፈርደት ኤርትራ ከመሓድር ሓደራ እተባህሎ ክቡር«ማርቲኒ»፡ ንዝጸንሐ ኩነታት ብዝከኣሎ ኣመሓይሹ፡ ብምስትውዓልን-ጥንቃቐን-ትሑት መንፈስን፡ ዓቢ መጻኢ ክፈቱላ ኣሎ። ብሳላ ዕዮኡ፡ እቲ መንቀሊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኰይኑ ዘሎ ከም መረብ/ምላሽ ዝፍለጥ ክፍለ-ወገን ግዝኣትና እተመረጸ ኰይኑ፡ ኑቲ ካብ ኢጣልያ ንከቡሳ ኢትዮጵያ ዘምረሐ መግዛእታዊ-ምህዛብ ዘዋፍር ባይታ ኰይኑ'ውን ይርከብ።

ጕዳዩ ተንካኢ ብምዃኑ ድማ፡ ከክም ኣገባብ ኣመራርሓ ናይዚ ተመኩሮታት'ዚ እዩ ዓወትን-ክሳራን ክምዝገብ ዝክኣል። ነዞም ጕዳያት እዚኦም ከመርሑ እተመዘዙ ሰበ-ስልጣን ሓበረታ ክኸውን እናተመነኹ እየ እውን፡ ኑቲ ተበጊሱ ክብቅዕ ብእጋ እተኾልፈ ተመኩሮ ንምድጋፍ፡ ብእዋኑ ንዝዓቀብክዎ ሓበረታ፡ ከም ጽሑፍ ክበርክቶ ወሲነ።

***

ኣብ ኤርትራ ዝቖመ መግዛእትና ቅድሚ ምቕጻል፡ ዋንነት-መሬት ብከመይ ዝበለ ሕጊ ወይ ህዝባዊ-ስርዓት ከመሓደር ይግባእ ? ዝብል ሕቶ፡ መልሲ የድልዮ።

መግዛእታዊ-ህላዌና ኣብ ገማግም-ባሕሪ ተወሲኑ ክሳብ ዝጸንሓሉ እዋናት፡ ናይቲ ዞባ ባህሊ-ልምድን ክንክተል፡ ግዴታ እዩ ዝነበረ። ከመይ ድማ፡ኣብቲ ቦታ ዝነብሩ ህዝቢ፡ ኣሳገምቲ፡ እቲ መሬት'ውን ን «መግዛእታዊ-ምህዛብ» ስለ ዘይዕድምን፡ ዝጸንሐ መኸሰብና፡ ፖሊቲካውን-ንግዳውን ኰይኑ እዩ ጸኒሑ። ንውሽጢ ደፊእና ብዝኣተና ግና፡ እቲ ህዝቢ ብማሕረስ ዝናበር/ ካብ ክፍለ-ዘመናት እትሒዙ'ውን ኣብ ውሱን ቦታ ብቀዋሚ-ማሕረስ ስለ ዝነብር/ሒዝዎ ዝርከብ ስፍሓት-መሬት ንፍቕዲ ኣባላቱን-ዓቕሙን ስለ ዝዕብልል/ ተፈታዊ ኩነታት ኣየሩ(ክሊማ) ንህዝብታት-ኤውሮጳ ስለ ዝሰማማዕን/ ዝኣቱ ምህርቲ ብርኩት ብምዃኑን/ ምእንት'ዚ ኩሉ ዝልውጥ ኩነታት፡ እቲ ኣገባብ'ውን ክልወጥ ናይ ግድን ኰይኑ ይረኣ።

እዚ ሽሰል ኢልና ክንርእዮ ዘይግባእ መሬት ግና፡ ብስሩዕ ህዝባዊ ስነ-ሕጊ እዩ ከመሓደር ጸኒሑና። ጥንታዊ-መበቆሉ ዓቢ ናይ ስልጣኑ ደረጃ ዝነበሮ እዩ። ምናልባት ንድሕሪት ኣብ "ባርባርነት" እተመልሱ ህዝቢ ረኺብና ማለት ድማ፡ ኣኸባሮት ናይቲ ዘሎ ስነ-ሕጊ ምግሃስ ማለት ኣይኮውንን። ብሓደ ወገን ጥቕሚ ሃገርና ምውሓስ፡ በቲ ሓደ ድማ ጥንታውያን ሕግታት ዘይምግሃስ ዝኣመሰሉ ድርብ ጸገማት ንምፍታሕ እዩ ድማ ብማዕርንታውን-ብሱልን ኣገባብ እቲ መጽናዕቲ ምእላይ ዝግባእ።

ምብሓቱ ዝከኣልን/ውሕስነት ዝርከቦ መሬትን/ ንሰደተኛ-ህዝብና እናዓቀብና(እዚ'ዩ እቲ መግዛእታዊ ምህዛብ)፡ ምዕቡል መንግስቲ ከም ዝሕተተሉ ድማ፡ ኩነታት ደቀ'ባት ምምሕያሽ እውን ሓላፍነትና እዩ። ፍትሒ ክትግበር እንተድኣ ኰይኑ፡ እቲ ኣብኡ ነጊሱ ዝርከብ ህዝባዊ ስነ-ሕጊ፡ ምስቲ ናትና ምዝማድ ከድሊ እዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ብደቀ'ባት ክለዓል ዝኽእል ተቓውሞ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ህልዊ ግዝኣትና ከይተወሰነ፡ ኣብቲ ምናልባት ብውዕላት-ሰላም ክስስፋሕፍሓሉ እንኽል ከበሳ-ኢትዮጵያ ጽልዋ ኢሕዲሩ፡ ጕድኣት ከየኸትለልና ብምሕሳብ።

እዚ ሓደጋ'ዚ ካብ ሓቂ ከም ዘይረሓቐ ዘረድእ፡ እቲ ብባህታ-ሓጐስ እተላዕለ ተቓ-ውሞ እዩ። ኑቲ ናዕቢ ዘንቀሎ ምኽንያት ብዘየገድስ፡ባህታ-ሓጐስ ስምዒት ህዝቢ ኣከለ ጉዛይ ከላዕል፡ ኣብ መሬት-ዶሚናለ ኰነ/ ኣብቲ ነጻ ጸኒሑ እተጠቕምናሉ መሬትን እዩ ዕላማኡ ኣቕኒዑ። ክንግንዘቦ ዝግባእ ድማ፡ እዚ ናዕብ'ዚ ኣብ እተላዕለሉ እዋናት፡ ኣብ ኤርትራ 15 ስድራ ሰደተኛታት-ኢጣልያ እዮም ጥራሕ ዝነበሩ። ክኸውን ድማ፡ ኣብ ካልእ ወረዳ እዩ መናበሪኦም ዝነበረ።

እዚ ጕዳይ'ዚ፡ ብኻልእ ኣገዳሲ መዳይ እውን ምጥማቱ ኣድላይ እዩ።

ዋና-መትኒ ደቀ'ባት ሰራዊትና፡ ካብ ህዝቢ-ከበሳ እዩ ዋሕዙ። ሓረስቶት ብምዃኖም ድማ፡ ንርእይ ምኽንያት፡ ንሶም እዮም ዝያዳ ናይ ምውጋእ-መንፈስ ዝህልዎም።

ብቁጠባዊ-ጸገማት ኤውሮጳዊ ሰራዊት ክቕነስ እንተድኣ ኰይኑ ከምቲ ዝዝተዮ ዘሎ መደብ ድማ፡ ኣብ እምነት-ጽቡቕ ኣገልግሎትን ሰራዊት ደቀ'ባት ክንምርኰስ ናይ ግድን ክኸውን እዩ። ኣብ ግዝኣትና ሰላም ንምርግጋጽ እምበኣርከስ፡ ንዓኦም ብዝምልከት እውን፡ ዋንነት-መሬት ብስርዓት ክደላደል ይግባእ።

ኣብ ሰሜን ኮነ ገማግም-ባሕርን፡ ማለት ኣብቲ ብብዝሒ ህዝቢ-እስላም ዝነብርሉ ቦታታት፡ ዝኾነ ዓይነት ኣገባብ ምምሕዳር ዋንነት-መሬት ክንጥቀም፡ ዘፍርሕ ሳዕቤናት ክኸትል ኣይክእልን። ምኽንያቱ ድማ፡ ኣሳጊሞም ብመንስ ስለ ዝናበሩ፡ ንሓድሕዶምን ምስቲ መሬትን ስለ ዘይተኣሳሰሩ። ብዛዕባ'ቶም ብካልእ ኣገባብ-ማእቶት ኣብ ከበሳ (መረብ/ምላሽ) ዝነብሩ ህዝብታት ኢና ድኣ ዝያዳ ክንግደስ ዝግባእ።

ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡ እንተ ንኣሉታ-እንተ ንኣወንታ፡ ኣብነት ካልኦት ሃገራት'ውን ክንጥ-ቀም ኣይንኽእልን። ኣብቶም ባዕልና እንካይዶም መጽናዕትን-ጥንቃቐን ክንምርኰስ ግዱዳት ኢና።

እቶም ብቕድመና ኣብ መግዛእታዊ-ተመኩሮ እተዋፈሩ ኤውሮጳውያን-ሃገራት፡ እንተስ ምስ ዘይማዕበሉ ህዝብታት ገጢሞም-እጽኒቶም-ተኪኦም ጸብለል ክብሉ ዝኽእሉ/ እንተስ እቲ መሬት ኣዝዩ ተሃዚቡ ብምጽናሑ ስደተኛታቶም ምጽዋር ኣይፈቐደን/ ዝኣመሰሉ እዮም ኣብነታቶም። ንዓና(ኢጣልያ) ገጢሙና ዘሎ ሃገር ግና፡ ህዝቡ ብ ኢትኖሎጅያዊ-ደረጃ፡ ምዕቡል/ ፍቕዱ፡ ውሑድ/ ሒዝዎ ዝርከብ መሬት ድማ ካብ 20 ጊዜ ንላዕሊ ህልዊ-ዓቕሚ ህዝቡ ክጻወር ዝፈቅድ ጉዳይ ስለ ዝኾነ ነገሩ፡ ህዝቡ ምቕሃም ዝብል መደብ እውን ክንቱ ይኸውን።

ንዓቕመ-ጉልበት ናይቶም ንርሑቕ-ሃገራት ዝስደዱ ዜጋታትና(መብዛሕትኦ ጊዜ'ውን ተቐባልነት ዘይረኽብሉ) ክጻወር ዝኽእል ጥሙሕ-ባይታ ኣብዚ ክንሃንጽ-ክንማዕብልን ዝከኣል እዩ። ብሰላም-ጸጥታን ክናበሩ እንተድኣ ኰይኖም ግና፡ እቲ ከመሓድሮም ዝግባእ ሕጊ-ስርዓትን፡ ብሓደ ወገን ንዓኦም ዘውሕስ ክኸውን ኣናተገብኣ፡ በቲ ሓደ ድማ ምስ ህዝብታት ደቀ'ባት፡ ሰብኣዊ-ርህራሀ/ ፍትሒ/ ምዕቡል ዝምድና ምምስራት ክድሊ እዩ። ከምዚ'ሉም ድማ እዞም ብማሕረስ ዝናበሩን -ኣብ ምቅርራብ ዝርከቡን ህዝብታት ኢጣልያ-ኢትዮጵያን ክይተጋጨው፡ ብስኒት- ንምዕባለ ብሓባር ምማስጋሰም ምተኻእለ።

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ድሮ ከም እተጠቕሰ፡ ዋንነት ቅውም-ንብረት ንዝምልከት፡ ኣብ ኢጣልያን-ኢትዮጵያን ዘገልግሉ ህዝባዊ ስነ-ሕጊ፡ ብመሰረቱ ይፈላለዩ እዮም ተባሂሉ ነይሩ።

ኣብ ትሕቲ ሓደ ልኡላዊ-ስልጣን ዝመሓደር መሬት'ከ ? ብክልተ እተፈላለዩን-ዝጻረሩን ሕግታት፡ ከመይ ቢልካ ምምሕዳሩ ይከኣል ?

ብርግጽ ስለ ዘይከኣል፡ ከም ጸገም መጠም እውን ምፍታሑ ምስ ዝድለ፡ ብኡ-ንብኡ ሰለስተ-ኣገባብ ከም መፍትሒ ይቐርቡልና፥

1ይ- ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ ከም ዘለዎ ምትግባር-

2ይ- ንዓኡ ብናትና ምትካእ-

3ይ- ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ኢጣልያ ንዜጋታትና/ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ድማ ንደቀ'ባት፡ ዝብሉ እዮም።

ኣየናዮም እዩ ግና እቲ ተመራጺ ኣገባብ ?

ንዘሎ ኢትዮጵያዊ ስነ-ሕጊ ምስ እንኽተል፡ እቲ ክንረኽቦ እንኽእል ቀዳማይ ረብሓ፥ ዝጸንሐ ልኡላዊ-ስልጣን -ብካልእ ሃገራዊ-መንግስቲ ስለ ዝትካእ፡ ዋንነት-መሬት ናብዚ ዳሕረዋይ እዩ ክመሓላለፍ። እዚ ድማ፡ ህዝብታት ኢጣልያ ኮኑ ደቀ'ባት፡ ዘሰማምዕሉ ጉዳይ ምኾነ። ህዝብታት ደቀ'ባት፡ ርእይ ንዝኾነ ምኽንያት/ ህዝቢ-ኢጣልያ ግዱስ ዝኸውን ድማ፡ ነዚ መሬት'ዚ ዘጥረየ ናይ ወሩር ይኹን ናይ ምምሕዳሩን ወጻኢታት ዝኸፈለ፡ ሃገራዊ-ንብረት(ሃገራዊ ርእሰማል)ስለ ዝኾነ እዩ።

ናብ ብሕታዊ-ዋንነት መሬት ዝዘምበሉ፡ ንማዕረ ክፍሊት-መሬት ዝማበቑ ወገናት/ ኣተሓሳስባን ብምህላዎም ግና፡ ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘገልግል ሕጊ ብመሰረቱ ስለ ዝጻረሩን ድማ፡ ምብራህ ዝግባእም ነጥብታት ኣለው።

ንመንግስትና'ኸ(መንግስቲ-ኢጣልያ)፡ ጠቕላሊ ዋንነቱ ራሕሪሑ/ ልኡላውነቱ ዝሓድሩ ብዙሓት ናይ ብሕቲ ዋንነት ምፍጣር፡ እንታይ እዩ ረብሓኡ ?

ብመሰረት ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ ኣብ ዋንነት-መሬት ዝህልዎ ቀዳምነት ኣብ ክልተ-ክፍሊ ይኽፈል፥ እቲ ቀዳማይ፡ ንቶም ብደቀ'ባት ተታሒዞም ብስርዓት ዝሕረሱ መሬት ይምልከት። እቲ ካልኣይ ድማ ንቶም ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ዶሚናለ ተባሂሎም ዝጸንሑን/ እተለቐቑን/ ብዘይ-ሕጊ እተታሕዙ መሬትን(ስለዚ'ውን ዶሚናለ ምባሎም ዝከኣል) ዝምልከት ጉዳይ እዩ። ኣብዚ'ውን መንግስቲ እዩ ናይ ዕቃበ ቀዳምነት ክህልዎ ዝፍቀድ።

በዚ ኣገባብ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ-ልኡላዊ ስልጣን ምቕያድ ማለት፡ ደቀ'ባት -ጸጥታን -ስርዓት -ፍትሕን ዘውሕሶም መንግስቲ ክህልዎም ማለት ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ነዚ ልኡላዊ-ስልጣን ዘተኣታቱ ህዝቢ-ኢጣልያ ድማ ብማዕረ ኩነታት ደቀ'ባት ክጥቀመሉ ዝኽእል መሬት ክም መሰል ክጠልብ ምፍቃድ ማለት እዩ።

ከም ሳዕቤን ናይዚ ድማ፡ እቲ ን«ሃጸይነት» ከም ተርእዮ ዘጽሮ፡ ንዝጸንሐ ናይ ሓባር ዋንነት ሰሪዙ፡ ብብሕታዊ-ዋንነት ምትካኡ ዝብል ኣምር ወጊዱ፡ ናይ ኢጣልያ ዜጋታት እውን ጥቕሞም ዘውሕስሉ ናይ ኢትዮጵያ ስነ-ሕጊ ምኽታል(ንብሕታዊ-ዋንነት ዘይኮነ፡ ብመሰረት መሬት ዶሚናለ)፡ ተቓውሞ ክቸርቦ ዘይክእል/ ብቕድመና ዝነበረ ልኡላዊ-ስልጣን ክዘውትሮ ዝጸንሐ ንቡር ኣገባብ እዩ'ውን ምተባህለ።

ናይ ኢጣልያ-ሰደተኛታት ንናይ ኢትዮጵያ «ዓዲ» ዝመስሉ ኣሃዱታት ክምስርቱ ምስ ዝደልዩ፡ እቲ ልኡላዊ-ስልጣን ዝፈቐደሎም " መሬት-ዶሚናለ "፡ ንጥቕሚ ውልቀ-ሰባት ወይ ፍሉያት እንዳ ዘይኮነ፡ ንናይ ሓባር ጥቕሚ ናይቲ ማሕበረ-ሰብ ምስ ዝኸውን ክፍቀድ ዝከኣል እዩ። እቲ ዝበለጸ ኩነት እውን ምኾነ። ብካልእ ወገን ተራእዩ ድማ፡ እቲ ልኡላዊ-ስልጣን ዝውንኖ መሬት ንዝቖሙ ኣሃዱታት ምስ ዝፍቀድ፡ እቲ ንህላዌኦምን/ምዕባለኦም ዘረጋግጽን-እድላይን ዝበሉ ይፍቀደሎም ብምህላው፡ ካብቲ ቀጥታዊ ዕብለላ ዘኸትሎ ጉድኣትን-ክንቱ ምብራስ ንብረትን ምተላቐቐ። በዚ ከኣ ዕላማ ናይቲ መግዛእቲ ተማሊኡ፡ ርህሩህ መንግስቲ እውን ምተባህለ።

ናይዚ ግብራዊ ኣተራጉማ፡ ብንጹህ ጻዕሪ ናይቲ ማሕበረ-ሰብ እዩ ዝረጋገጽ። ንጥቕሙ ክብል ድማ፡ እድላይ ብዝበሎ መሳርሒታት ክጥቀም እዩ።

ዓዲ ምስ ቆመ፡ ማሕበር ኮነ(ባይቶ መራሕቲ-እንዳታት) ምርጫ ሹም-ዓድን ክድሊ እዩ። ከምዚ'ሉ ድማ እቲ ኣሃዱ፡ ርእሰ-ምምሕዳሩን/ ሕጋዊ ውክልናኡን ዘረጋግጸሉ ባእታታት ይሃንጽ። ካብ'ዚ ክርከብ ዝኽእል ርኡይ ጥቕሚ ድማ፡ እዞም ናይ ምህዛብ-ማእከላት ኣብ መንግስታዊ ተበግሶታት ክይተመርኮሱ፡ ባዕሎም ርእሶም ዝኽእሉ መንገድታት ንውልቃዊ ጥቕሚ ክናድዩ እዮም።

እቲ ወትሩ ኣብ ሊላን-ጉሊላን/ ዘይሕጋዊ ቀዳምነትን ዝህንጽ " ቡሮክራሲ " ክውገድ ማለት እዩ።

ሓድ-ሕዳዊ ምድግጋፍ ኣሃዱኣውያን፡ ዘይተርፍ ሳዕቤን ናይቲ ኣገባብ ይኸውን። ኩሉ፡ ኩነታት መነባብሮኡ ክመሓይሽ ስለ ዝቃለስ። ናይ ሓባር ረብሓ ድማ፡ ተመሊሱ ንውልቃዊ ጥቕሚ እዩ ዘገልግል። ኣብ ሞንጎ እተፈላለዩ ኣሃዱታት'ውን፡ ኒሕ-ውድድርን ክብገስ እዩ። ከም ባህርያዊ ምዕባለ። እዚ ረቛሒታት እዩ ድማ ስንቅን-ዋሕስን ማእቶታዊ ምንቅስቓስ ዝኸውን።

እቲ ብከምዚ እተገልጸ ክህንጽ ዝድለ ዘሎ ዓዲ፡ ካብ ክባቢኡ ተነጺሉ(ካብ ደቀ'ባት) ክነብር ማለት ዘይኮነ፡ ናይ ኢጣልያ ዜጋታት ኣብ ናይ ደቀ'ባት ኣሃዱ/ ደቀ'ባት እውን ኣብ ናይ ኢጣልያውያን ምጽንባር ማለት እዩ። ብከምዚ ድማ እቶም ናብ ዓሌታዊ እድልዎ ዝመርሑ መንገድታት ተጻቢቦም ሕብረ-ዓሌታዊ ማሕበረ/ሰብ ክህንጽ ይከኣል።

መኸሰቡ ብዙሕ እዩ። ብቀዳምነት ኣብ ሞንን'ቶም ነዚ መሬት'ዚ ዝሓርሱ ዜጋታት ዝሰፍን ሰላም/ተኣማንነት ስለ ዝረጋገጽ። ቀጺሉ ድማ፡ እቲ መንግስቲ ካብቲ ክጻወሮም ዝግባእ ሓላፍነት- ናይ ቁጠባ ወጻኢታትን፡ ጸሩ የፋኹስ። እቶም ካብ መንግስታዊ ጣልቃ ወጻኢ ኮይኖም ብፍንው ባዕሎም ዝፐርነፉ ዓድታት፡ ብባይቶ ኣባላቶም ስለ ዝመሓደሩ፡ ናይ ጺገማቶም ሓላፍነት፡ መንግስቲ ኣይሕተተሉን። ናይ ሌላን-ጉለላን ስጉምታት ተወሲዶም ዝብሉ ክስታት ኣይክህልውን ማለት እዩ። ኣብቶም ገባር ዝሰፍ-ርምም ማእከላት እውን፡ ክምደቡ ዝግቦኦም ናይ መንግስቲ-ሹማምንቲ ስለ ዝቕንሱ፡ ኣንኢስካ ዘይረአ መኸሰብ እዩ።

ከምዚ'ሉ ዝቐውም ዓዲ፡ ብዝተሓተ-ደረጃኡ ፍትሒ ዝምልከት ጉዳያት'ውን ከመሓድር ይኽእል እዩ። ካብኡ ልዕል ንዝበሉ ጉዳያት ድማ፡ ብዙሓት ዓድታት ኣብ ሓደ-ከባቢ ተጠርኒፎም፡ ብሹም-ዓድታት ተሰንዩ ፍትሒ ከመሓድር ዝኽእል ኣካል እውን ክቐውም ይከኣል እዩ። ኣድላይነት ቤት-ፍርዲ ብመንግስታዊ-ደረጃ፡ ንመወዳእታ-ይግባይ ዝበሃ-ሎም ጉዳያት ይውሰን።

እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ግብሪ፡ ኣብቲ ኤውሮጳዊ ግዛኢ-ህዝቢ ዝሰራሒጠወሉ ከባቢታት እዩ ክትግበር ዝከኣል። ካብ ክበሳታት ወጻኢ ግና፡ መግዛእታዊ-መንግስቲ ኑቲ ዶሚናለ ዝበሎ መሬት ፈጺሙ ስለ ዝውንኖ፡ ብመልክዕ ክራይ-ንውሱን ጊዜ-ን ዝቖመ ትካላት ኮይኑ ናይ ግሊ ርእሰማላውያን ብጉልበት ደቀ'ባት ዝሕረስ "ትሮፒካዊ" ሕርሻታት ምኪያድ ክፈቅድ ይኽእል።

ጸገማት ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ክ? ከመይ ዝበሉ እዮም?

ርኢያት ክበሃሉ ዝኽእሉ ጸገማት'ኳ ኣይህልውን። ምኽንያቱ፡ እቲ ኣገባብ ንባዕሉ፡ መቐጸልታ ናይቲ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ምምሕዳር እዩ ዝኸውን ዘሎ። እቶም ንዝኾኑ ዓይነት ትካል ኣብ መጀመርያኡ ክገጥምዎ ዝኽእሉ ጸገማት፡ ኣይሰኣኑን።

ኣብ ሓድሓደ ቦታን/ጊዜን፡ ምጥርጣራትን-ተስፋ ምቝራጽን እውን ኪጋጥም ይኽእል እዩ። እዚ ግን ምስ'ቲ ንምርምሮ ዘለና ጉዳይ ኣይጋጮን። ባህርያዊ-ሳዕቤን ናይ ዝኾነ ይኹን ተበግሶ ብምዃኑ። መግዛእታዊ-ህላወና ንግዛእ-ርእሱ፡ ብጻዕርን-ምጥርጣ-ራትን-ተስፋ ምቝራጽን- እዩ ተበጊሱ። ቀዋሚ መልክዑ ክሳብ ዘለብሰሉ እዋናት ድማ፡ ጸገማት ኣይከተርፉን እዮም። ዝኾነ መግዛእታዊ-ተበግሶ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ብዘየገድስ፡ ካብ'ዞም እተጠቕሱ ሽግራት ሓራ ክኸውን ኣይከኣልን።

ናይ ኢትዮጵያ ስነ-ሕጊ ኣብ ግብሪ ምትርጓም፡ ምስ ብሕታዊ-ዋንነት ስለ ዝጻረር፡ ንዝኾነ ቁጠባዊ-ምዕባለ ዝዓማት ስርዓት እዩ ዝብሉ ወገናት እውን ኣይሰኣኑን። ምኽንያቱ ድማ፡ ከምቲ ንሕና እንርድኦ ብሕታዊ ዋንነት መሬት ዘይምፍቃድ፡ ውሕስነት ዘየረጋግጽን-ንምዕባለ ስደተኛታት ዝዓግትን ረቌሒ ምዃኑ ስለ ዝእመን።

ክዘኻኸር ዝግባእ ነገር ግና፡ ምውናን ተንቀሳቓሲ-ንብረት ብምሉእ መልክዑ፡ ውሕስነት ስለ ዝግበረሉ፡ ውህለላ ርእሰማል ደረት ኣይህልዎን። ዝኾነ ፍረ-ዕዮኡ ዝሓፈሰ ዜጋ፡ ርእሰማሉ ኣብ ንግድ-ኢንዱስትርን ኣዋፊሩ፡ ኑቲ መሰረት ድለባ-ሃብቱ ኮይኑ ዝጸንሐ መሬት ለቒቑ፡ ኣብ ካልእ ስራሕ ክዋፈር ይኽእል እዩ።

ብናይ ኢትዮጵያ ስነ-ሕጊ ምጥቃም ድማ፡ ኩነታት መነባብሮ ብዙሓት ደቀ'ባት ዘመሓይሽን-ጉቡኣቶም ዘዘኻኽርን ረቌሒ ምዃኑ እውን ክንዝንጋዕ ኣይግባእን።

ከምኡ'ውን እቲ ብገሊኦም ክሳራ እዩ ተባሂሉ ዝግመት ምትሕንፋጽ-ዓሌት፡ ምስ'ዚ ኣተኣሳሲርካ ዝረአ ጉዳይ እዩ ክኸውን። ምትሕንፋጽ ማለት፡ ምድኻም ናይቶም ክልተ ዝፋረዩ ዓሌት ዘኽትል ተርእዮ እዩ ዝብሉ ወገናት ኣለው እዮም። እዚ ፍርሒ'ዚ፡ መሰረተ-ኣልቦ ምዃኑ ኣብ ዘረጋግጹ መደምደምታ ንምብጻሕ፡ ንውሕ ዝበለ መጉተ መድለየ። ብሓጺሩ ግና፡ ኣብዚ ስፍሓት መሬት ምስ ፍቕዲ-ህዝቢ ዘይተደላደለ ቦታ፡ ክውሕዝ ዝኽእል ዋሕዚ ስደተኛታት ሓያል ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ውሑድ ዓመታት እቲ ሓድሽ-ህዝቢ ኑቲ ጥንታዊ ምስተዋ። ከምዚ'ሉ ድማ እቲ ምትሕንፋጽ ክኸትሎ ዝበሃል ሳዕቤን (እዚ'ውን ዓሌት ደቀ'ባት ትሑት ተባሂሉ ምስ ዝግመት)፡ ትርጉም ዘይወሃቦ ጉዳይ ኮይኑ ምተረፈ።

ብሓፈሻኡ ከም እተመልከትናዮ እምበኣርከስ፡ ኢትዮጵያዊ ስነ-ሕጊ ምትግባር፡ ምስ መግዛእታዊ-ምዕባለ ኣይጸረረን። ብዝኾነ ድማ እቲ ክሰገር ዝከኣል ናይ ኣገባብ ጸገማት ከም መሰረታዊ ጉድለት ናይቲ ዕላማን-ግብራውነቱን ክውሰን ኣይከኣልን።

ኣብ ኢትዮጵያ ክገልግል ዝጸንሐ ስርዓት፡ ብናይ ኢጣልያ ስነ-ሕጊ ምትካኡ ዝብል ካልኣይ ስርወ-ሓሳብ ከ? ከመይ ዝበሉ ጥቕምን-ጉድኣትን እዩ ዘኸትል ?

እቲ ጥቕሚ ዝበሃል፡ ብሓጺሩ ንጽህና ኤውሮጳዊ-ዓሌት ምዕቃብን/ወነንቲ ንብረት ናይ ምኺን ተስፋ ዝደፋፍእ ዋሕዚ ሰደት ምብርታዑን እዩ ዘጠቓልል።

ብዛዕባ ንጽህና ኤውሮጳዊ-ዓሌት ምዕቃብ፡ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ እዩ። ነቲ ዳሕረዋይ ረብሓ ዝምልከት ድማ፡ ንሰደትና ዘንቀሉ ምኽንያታት ተመሊስካ ምርኣይ ከድሊ እዩ።

ሰደተኛ ክበሃል እንከሉ ብመሰረቱ፡ ካብቲ በብዕለቱ እናባኣሰ ዝቕጽል ናይ ድኽነት ኩነታትን፡ ውጽኢት ዘይርከቦ ናይ ናብራ ቃልሲ-ጻዕርታትን ንምምላጥ፡ ክኤው ዶብ-ውቅያኖስን፡ ኣብ ትሕቲ ስማያት ርሑቕ-ቦታ ብድኻም/ዕዮ-ጽዓት ኩነታት መነባብሮኡ ንምምሕያሽ እተላዕለ ዜጋ እዩ። ብከምዚ እተሰደዱ ድማ፡ ክሳብ'ውን ናይ ሰደተኛ ኩነታቶም ለዊጦም፡ ወነንቲ ንብረት ዝኾንሉ ደረጃ ክበጽሑ ይኽእሉ።። ኩሎም ወይ መብዛሕትኦም ሰደተኛታት ግና እዚ'ዩ ዕላማኦም ኢልካ ምውሳን ኣይከኣልን።

ሰደት፡ ብሕታዊ-ዋንነት ንምርግጋጽ ዝካየድ ወፍሪ ኣይኮነን። ባህርያዊ ጠለባት ንምርዋይ ዝኣክል ጻማ ዕዮ'ኳ ብግቡእ እትፍደየሉ ኩነታት ናይ ምፍጣር እዩ መሰረታዊ መንቀሊኡ።

ናይ ኢትዮጵያ ሕገ-ስርዓት ብናይ ኢጣልያ ምስ ዝትካእ፡ ሰደተኛታት ዋንነት-መሬት ስለ ዝፍቀዶም፡ ረብሓ ዝርከበሉ ስርዓት ይመስል። ኣይከምኡን ግን።

ብቀዳምነት፡ ጸገማት ሓድሓደ ክፍለ-ወገን ኢጣልያ ተመልኪትካ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ብዓይኒ ፍትሒ ተቐባሊ ክኸውን ኣይከኣልን። ከመይሲ ነቲ ክሰደድ ዝበለ ዜጋ እተማ-ልእ ኩነታት ኣወፊኻ ከም ዝብገስ ምድፍፋእ፡ ነቲ ፍቕሪ ሃገሩ ሓዲርዎ ኣብ መሬት ዓዱ ብጻዕሪ ክነብር ዝበለ ዜጋ፡ ምብዳል ማለት ስለ ዝኸውን። ደፋእ እናበለ ድማ እቲ ናይ ሰደት ሃንቀውታ እናደኸመ ስለ ዝኸይድ ነቲ «..ሰፊሕ መሬት በብቕሩብ ምህዛብ» ዝብል ዕላማ ኣብ ምዓላ ኣይከውዕሉን እዩ።

ኣብ ክንዲ ብነዊሕ መደብ ናብ ምህዛብ ዝኣመተ ዕላማ ምኽታል ድማ፡ ጊዜያውያን ናይ ሕርሻ ኣሃዱታት ኢና ክንምስርት። ብኣንጻር ናይዚ ግና እቲ መደብ ከም ዝሓቶ፡ ሓንሳብ እቲ ናይ ሰደት ዋሕዚ ምስ ተበገሰ፡ እቲ ቦታ ብዛይካ ብዙሕ ቁጠባዊ-ወጻኢታት ተዓልዩ ጸኒሑ፡ ምምሕዳሩ እውን ርእሱ ክኢሉ ዝቕጽለሉ ኩነታት ምፍጣር ይበልጽ።

ንሰደት ዘበግሶን-ዝውስኖን ረቛሒ ድማ፡ ብሕታዊ-ዋንነት ምድላብ ዝብል ኣታሓሳስባ ጥራሕ ኣይኮነን። ካብቲ ኣብ ኢጣልያ ዘሕልፎ ህይወት፡ብስራሑ ኣቢሉ ዝረኽቦ ዝያዳ ውሕስነት ዝህብ መነባብሮ ምርግጋጽ እዩ መንቀሊኡ።

ጉዳይ ጸገምና ብቐረባ ንዝምርምር፡ ጉዳይ ጽዑቕ ውሽጣዊ-ጸገም ምዃኑ ክስሕቶ ኣይከኣልን። ነዚ ዝፈትሖ ድማ፡ ቅኑዕን-ዘኽስብን ሓበረታ እናቕረብካ፡ ዕላማ ናይቲ ተበግሶታት ምግላጽ እዩ።

ዜጋታትና ብርእሰ-ተኣማንነት ክናበሩ እንተድኣ ኮይኖም፡ ኣገባብ ዋንነት-መሬት ብናይ ኢጣልያ ስርዓት ክመሓደር ይግባእ ምባል፡ ናብኡ ገጹ ዘምርሕ መንገዲ ኣይ-ኮነን። ጸገማቱ ድማ፡ ብኣንጻር ናይቲ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ ብምዕቃብ ዝኸተል ረብ-ሓታት እዩ ዝረኣ። ብዘይካ'ዚ'ውን እቲ ተካኢ ሓድሽ-ምምሕዳር፡ እንተላይ ንደቀ'ባት ስለ ዝምልከት፡ ናዕብታት ኣይመኸተለንዶ?

ምትእትታው ብሕታዊ ዋንነት-መሬት፡ ብባህሪኡ ጥቕሚ ሃብታማት እዩ ዝውክል። ስለዚ ድማ እቲ ሓፋሽ፡ መሬት ምውናን ዝፈቕደሉ ርእሰማል ስለ ዘይውንን፡ ኣብ ናይ ኣገልጋሊ ደረጃ ክተርፍ ማለት እዩ።

መሬት ደቀ'ባት፡ በቶም ስሱዓትን-ሰብኣዊ ሕልና ዘጥፍኡን መዝመዝቲ ምስ ተታሕዘ ድማ፡ እቲ ካብ ኤውሮጳ ብሓደስቲ ክልሰ-ሓሳብ ተመሪሑ ዝቐላቐል ዘሎ ቃልሲታት፡

ናብዚ'ውን ክሰግር እዩ። ኣብ ዘለናዮ ወቕቲ ድማ፣ ሃገርና ክጻወሮም ዘይክእሉ ጸገማት እዮም።

እዚ ሎም ዝሕናዮ እንርከብ ቦታ፣ ውጽኢት ናይ ዘካየድናዮ ወራር ብምዃኑ፣ ብቃሕ ዝበለና መንገዲ ክነመሓድሮ መሰልና እዩ ምባል፣ ሓላፍነቱ ስለ ዘሰሓተ፣ ከመሓድ-ክድገፍን ዝግቦእ ኣገባብ ኣይኮነን። ብቀሊሉ ክም ዝርዳእ፣ ነዚ መንገድ'ዚ ምኽታል፣ መንግስቲ ዝሀልዎ ሓላፍነት ምውሳኽ-ማእሊያ ዘይብሉም ጭፍራ ሹመኛታት ቤት/ጽሕፈት ምምዳብ -ስለ'ዚ'ውን ሰፍ ዘይብሉ ወጻኢታት ንዋት/ገንዘብን ምኽታት ማለት ይኸውን። ንመጻኢ ድማ ግዝኣትና ክነመሓድር እንተድኣ ኮይኑ መደብና፣ እዚ ኣይኮነን እቲ ዘዐውት መንገዲ።

እቲ ማእከላይ ክባሃል ዝክኣል ተሪፉ ዘሎ ሳልሳይ ስርወ-ሓሳብ፣ መሰረት ናይቲ ክም ተመኩሮ ክካየድ ዝጸንሐ መደባት እዩ።

ኣብ መጀመርያ ክረኣ እንከሎ፣ ኣወንታዊ መሲሉ'ኳ እንተቐረበ፣ ብመሰረት ናይቲ ክዘተዮ ዝጸንሐ መግለጽታት፣ እቲ ትጽቢት እተገብረሉ ውጽኢት፣ ሓቅነት ዘይብሉን መዐሸውን ምዃኑ ተገንዚብና።

ጸገማቱ እዩ ማን ጐሊሑ ዝረኣ።

ክልቲኦም ሰነ-ሕግታት ኣብ ሓደ-እዋን ምትግባር ማለት፣ ንክልቲኦም ዓሌት ኣብ ክልተ-ዓውዲ ምኽፋል ማለት እዩ። እቲ መደብ ብቕኑዕ-መንፈስ ድዩ ቀሪቡስ? ኣይፋልን? ዘይኮነ ጉዳዩ ድማ፣ መኸሰብዶ? ክሳራ ኣኹቲሉ? እዩ ሕቶኡ።

ክልተ-ዓሌት ክፋፊልካ ብክልተ እተፈላለዩ ኣገባብ ምምሕዳርም ማለት፣ ብግብሪ፣ ጥቕሚ ሓዲኦም ኣማሊእካ፣ ነቲ ሓደ ምጽቃጥ እዩ ትርጉሙ። እቲ ኣብ ዝተሓተ-ደረጃ ዝተረፈ ወገንከ፣ ሰብኣዊ-ክብሩ ተጋሂሱ/ ጥቕሙ ኣብ ዘየማልእ ምምሕዳር፣ ከመይ'ሉ ይነብር? ሓደ ኣብ ልዕል'ቲ-ሓደ ምልዕዓል ዘይተርፍ እዩ። ሳዕቤኑ ድማ፣ መግለጺ ኣየድልዮን። ንኢጣልያውያን ክገልግል ተባሂሉ፣ ሰነ-ሕጊ ሃገርና ክትተግብር ኣብ እንጅምረሉ፣ ብኡንብኡ፣ ተወንዚፎም ብሚላ ተታሒዞም ዝጸንሑ ሽግራት ክለዓሉ እዮም። ብዘይካ'ዚ፣ ካብቶም ንብሕታዊ ዋንነት-መሬት ዝቕይዱ ኣብ ሰነ-ሕጊ ኢጣልያ ሰፊሮም ዝርከቡ ክም ንኣብነት«ትሕጃ-ንብረት» ዝኣመሰሉ መትከላት፣ ኣብ ምምሕዳር ናይዚ ግዝኣታዊ-መሬትና፣ ተወጊዶም ቀሪቦም ብምህላዎም፣ ንብሕታዊ-መሬት ድኣ ከመይ ዝበለ ውሕስነት እዩ ክዕንተሉ?

ካብዚ ሓሊፍካ'ውን ኣብቲ ን " ኮንቸስዮንታት " ተባሂሎም እተዳለው ውዕላት (ኮንትራት) ምስ እንምልከት፣ ጉልበት ደቀባት ከይዋፈር ዝዓግቱ ጥቕስታት ሰፊሮም ይርከብዎም። እዚ'ኸ ምስቲ ምስ ግዝእ-ርእሱ ክሰምር እንተድኣ ኮይኑ ብመሰረት ምሉእ-ፍጹምን ብሕታዊ-ዋንነት (Jus utendi et abutendi) እተነድፈ ሰነ-ሕግና ኣይጻረ-ርንዶ?

ስለ'ዚ ድማ፣ እቲ ክም ዘለዎ ብድርቹ ይቕረብ ዝበሃል ዘሎ ሰነ-ሕጊ ሃገርና፣ ድሮ ኣካላቱ ጉዲሉ ክትግበር ማለት እዩ።

ንምንታይ ድኣ ኣብ ክንዲ ብጐዶሎን-ዘይተማልአን ሰነ-ሕጊ ሃገርና፣ ዐቲ ዝጸንሐ ዞብኣዊ ስርዓት ዘይንቕየድ?

እቲ ዝሓሸ ኣገባብ ሰነ-ሕጊ ካብ ተነጸረ እምባርከስ፣ ብከመይከ ኣብ ግብሪ ክትርጐም ከም ዝግባእ ንመልከት።

እቲ ሓድሽ ኣገባብ ሰነ-ሕጊ ክትግበረሉ ዘለዎ መትከል፣ ብመሰረት ናይቲ ሰነ-ሕጊ ኢትዮጵያ ን«ዓዲ» ዘልብሶ ትርጉም ክኸውን ይግባእ። እቲ ድሮ ብደረጃ ስድራ-ቤት እተፈተነ «መግዛእታዊ-መንግስቲ»፣ ካብ መጀመርያኡ ኣትሒዙ ስርዓት ክም ዝኸተል እተረጋገጸ እዩ። እቲ ቀጺሉ ዝስዕብ ውጽኢታት እዩ ድኣ መማኮቲ ዝኸውን ዘሎ።

ኣሽሓት ህዝብታት ናብዚ ሓድሽ መሬት ምልኣኽ ስለ ዝኾነ እቲ ጉዳዩ፣ ኣብ ብሕታዊ ዋንነት-መሬት እተመርኮሰ መግዛእታዊ-መንግስቲ ብደረጃ ስድራ-ቤት ምህናጹ፣ ናብቲ ዕላማ ዘይወቅዕ ኣገባብ እዩ። ክም ትምኒት፣ እቲ ተደላዪ ኩነት እውን ምተባህለ። ስዒቡ ዝመጽእ ምምሕዳሩ ግና ኣብ ቁጠባዊ-ሜዳ ዝሓቶ ወጻኢታት፣

ሃብታም ዝበሃል መንግስቲ'ኒ ኣይምተጻወሮን። ብእንጻሩ፣ መንግስቲ-ኢጣልያ ድኻ መንግስቲ እዩ። ኣብ ሃገር ተዋፊሩ ዝርከብ ርእሰማል እውን፣ ኣይርቡሕን። ዝስደዱ ዜጋታትና ድማ ብዘይካ ጉልበቶም ካልእ ኣይውንኑን።

ዓዲ ዝቐውም ግና፣ ኣብ ከባቢኡ ንማሕረስ ዝኸውን መሬት ስለ ዝርከቦ/ ህይወቱን ዘራእቱን ዘውሕስ መባእታዊ-ኩነት ስለ ዘይስኣን/ እተፈላለዩ ድልየት-ጥቕምታትን ኣብ ሓደ ስለ ዝጥርነፉ/ ኣብ ኩሎም ድማ ናይ ስራሕ -ስርዓት -ኣባይቲ ናይ ምህናጽ ድልየታት ስለ ዝዕብልል፣ ኩነታቶም ማዕረ ብምዃኑ ሽግርን-ራህዋን ድማ ብማዕረ ስለ ዝካፈሉን እዩ።

ብስራሕ ኣቢሉ ዝረጋገጽ ማሕበራዊ-ናብራ፣ ንባህሪ ወድ-ሰብ ይመስል። ኣብ ንእስነቱ ድኹም እዩ፣ ደፋእ እናበለ ግን ብተመኩሮኡ ተመልሚሉ ይዓቢ።

ምስ'ዚ ኣገባብ'ዚ ብዝሰማማዕ መንገዲ፣ መንግስቲ ክህልዎ ዝግባእ ሓላፍነት'ውን፣ ኣዝዩ እተፋኹሰ እዩ። መሬት ዝውንን፣ መንግስቲ ንውልቁ ስለ ዝኸውን፣ ዓዲ ኣቐሙ ከመሓድሮ ንዝበለ ማሕበራዊ-ጉጅለ፣ ካብቲ ሓፈሻዊ መምርሒታት ከይወጻእካ ምዕዳል እዩ ተራ ናይቲ መንግስቲ ዝኸውን።

እተለቐቑ መሬት/ ዝባደሙ ዓድታት/ ዶሚናለ እተባህሉ በረኻ/ ስለ ዝኸውን ንብረቱ ድማ፣ መንግስቲ፣ ማይ ዝርከበሉ ቦታን- ንሕርሻ ዝጥዕምን- ሓድሕዳዊ ምቅርራብ ዝዕድሙን ተበግሶታት ተገንዚቡ፣ ገባር በብዝመጽዎ «ዓዲ» ክቑሙ ይፈቅድ።

መንግስቲ ብዘለዎ ትሕዝቶ እውን ደገፉ ክበርክት፣ መሰሉ እተሓለወ እዩ። ንኣብነት ማይ ኣብ ዝርከቦም ቦታ ዒላታት ክኹዕት/ ህንጻን-መጉዓዝያን ዝኣመሰሉ ሽግራት ክቃልል/ ብስሩዕ ትካላቱ ኣቢሉ ምሉእ'ቲ ዓዲ ዝወሓሶ ልቓሕ ምፍቃድ...ወ.ዘ.ተ. ዝኣመሰሉ ተበግሶታት ክዋፍር ይኽእል። ካብ ኩሉ ድማ ኣብ ቅድም ክስራዕ ዝግባእ ሓላፍነት መንግስቲ፣ ስርዓት-ጸጥታን ምውሓስ እዩ።

ብዛዕባ ውሽጣዊ ትካላት-ዓዲ ንዝምልከት ግና፣ ሓንሳብ እቲ መሬት ምስ ተፈቕደ፣ መንግስቲ ዝህልዎ ተራ፣ ኣብ ቊጽጽር እዩ ክውሰን ዝግባእ። ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ኢትዮ-ጵያ ብምኽታል ድማ፣ እቲ ብመሰረት ጉልበትን/ ጠለብ ነፍስ-ወከፍ እንዳን፣ በብእዋኑ ዝፍጸም ኣዋድቓ መሬት፣ ብ ባይቶ መራሕቲ-እንዳ ስድራ-ቤት ስደተኛታት እዩ ኣብ ግብሪ ክውዕል።

ብዘይካ ኣድለይቲ ንዝተባህሉ ማሕበራዊ ጉዳያትን/ምፍራስ ውዕላትን፣ እቲ ብመንግስቲ ንዓዲ ተባሂሉ ዝዕደል መሬት ቀዋሚ ስለ ዝኸውን፣ እዚ ናይ ሓባር-ዋንነት እዩ ተመ-ሊሱ ብምሉእ ምትእምማን ንቲ ዓዲ ዘገስግሶ።

ኣብ ከም«ዓዲ»ዝኣመሰለ ትካል፣ብሕታውን/ናይ ሓባር-ዋንነትን፣ሓደ-ትርጉም ይለብሱ።

ካልእ ክንግንዘቦ ዝግባእ ነጥቢ፣ እትጥቀመሉ ኣገባብ-መግዛእቲ ብዘየገድስ፣ ኩሎም'ቶም ክመጹ እተባህሉ ስደተኛታት፣ ሓረስቶት ከም ዘይኮኑ ምፍላጥ የድሊ። ሕርሻ ኣብ ዝካየደሉ ሕብረተ-ሰብ ወይ«ዓዲ»፣ ንማሕበራዊ ናብራኦም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ከም ሓንጾ/ ነዳቓ/ ጸረብቲ-ዕንጸይቲ/ ጫማ-ዝሰርሕ ካልጸላዩ....ወ.ዘ.ተ.ዝኣመሰሉ ኢደ-ጥበባት ዝመለኹ ዜጋታት እውን ክድልዩ እዮም። ኣብ ብሕታዊ-ዋንነት እተመርኮሰ ብደረጃ ስድራ-ቤት ዝፍጸም ዓይነት መግዛእቲ ንኣብነት፣ ኣብ መጀመርያ እዋናቱ፣ ንህላወ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሞያውያን ኣይፈቅድን።

ንናይ ደቀ'ባት መነባብሮ ብዝመስል፣ ኣብ ሓባራዊ-ዋንነት እተመርኮሰ ብደረጃ «ዓዲ» ዝፍጸም ምህዛብ እዩ ነዚ ሕቶ'ዚ ብግቡእ ዝምልሶ። ዝኾነ ጥበብ ዝመለኸ ሸቃላይ ይኹን/ኣብ ዝኾነ ዓይነት ማሕረስ ዝዋፈር ሓረስታይ፣ ኣብ ዝመስሎም ኢደ-ጥበብ ኮነ ማሕረስ ክዋፈሩ ነጻ እዮም።

እዚ ይሓይሽ ዝበሃል ዘሎ ኣገባብ፣ ካልእ ኣገዳሲ መደብ እውን ስለ ዘጠቓልል እዩ።

ናይ ስደትና ባህሪ ምስ እንምልከት፣ ፍቕዲ ስደተኛታት ደቅ-ተባዕትዮ ንቲ ናይ ደቅ-ኣንስትዮ ይዕብልሎ እዩ። ንስደት ዝንቕሉ ድማ፣ ሰብ-ጥዕና/ድልዱላት/ ኣብ ሰዊት-ዕድመ ዝርከቡ ኣጕባዝ ተባዕትዮ እዮም። እቲ ብደረጃ ስድራ-ቤት ድኣ ይፈጸም ዝብል ኣገባብ መግዛእቲ ግና፣ ኣንጻር'ዚ ተርእዮ እዩ። ኣንስትን-ቈልዑን-ሽማግለን ስለ

ዘተኣታቱ፣ ኣብ ሓደ እዋን ድርብ ሽግር እዩ ክኸትል። ብቐዳምነት እቲ ነዚ ኣገባብ ዝሰርዐ መንግስቲ ተመሊሱ ክዋገየሉ ኣብ ዘይክእል ምራላዊ-ሓላፍነት እዩ ንባዕሉ ክኣቱ ዝርከብ። ቀጺሉ ድማ ኢጣልያውያን ካብ ደቀ'ባት ስለ ዝንጽል፣ እቲ ኣቐዲሙ ምት-ሕንፋጽ ስዒቡ ድማ ዓሌታዊ ምውህሃድ ይኸውን ዝበለ መደብ፣ በቲ መንግስቲ ባዕሉ እዩ ዝተዓናቐፍ ዘሎ።

ናይ "ኮንቸስዮንታት" ፍቓድ ዝሓቱ ንመግዛእታዊ-መንግስቲ ቀሪቦምሉ ዘለው ምልክታ (ዶማንዳ) ኩነ/ፍቕዲ ናይቶም ንኤርትራ ክንብገስ ሒሎም እተመዝገቡ ዜጋታት ምስ እንምልከት፣እቲ ናይ ስደት ተርእዮ ባህሪኡ ኣይልውጥን። "ስካፖሊ"(ሓዳሮም ዘይወጹ) ደቅ-ተባዕትዮ እዮም ዓብላሊ ቍጽሪ። ስለ'ዚ ብመሰረቱ መሬት/ፍትሒ/ጸጥታ/ ምስ ዝረጋገጸሎም፣ ባዕሎም ዝመሓደሩ እዮም። እዚእም እዮም'ውን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘስፋሕፍሕ ዘሎ መግዛእትና ዋልታ ክኾንዎ ተስፋ ዝግበረሎም። ንሶም እዮም'ውን ነቲ ናይ መጀመርያ ድንኩላት እናገማጠሉ ምስቲ መሬት ዝላለዩን-ተመኩሮታት ዝፍ-ልሙን። እዞም ኣጕባዝ እዮም'ውን ኣብ ዓድታት እናተሰራጪው ምስ ኣንስትዮ ደቀ'ባት ክዋሰቡን ነቲ ኣድላይ እተባህለ መደብ ምትሕንፋጽ ክበግሱን።

እተለቓቑ ጥንታውያን ዓድታት፣ በዞም ናይ ዓሌትና ቅድመ-ግንባር ዝበሃሉ ኣጕባዝ እዮም እንደገና ክህዘቡ።

እዚ ኣገባብ'ዚ፣ እኩብ እንዳታት ስደተኛ ኢጣልያ ኣብ ሓደ-ዓዲ ምስ ደቀ'ባት ሓቢ-ሮም ክነብሩ ኣይጻረረን። ምኽንያት ስለ ዘይህልዎ። ኣፍልጦ ናይዚ ሃገር'ዚ ኣጸቢቑ ዝመለኸ ክግንዘቦ ክም ዝኽእል ድማ፣ ኣእምሮን-ሞራላዊ ሓላፍነትን ንዝምልከት፣ ኢትዮጵያውያን ካብ ተራ-ስደተኛ ዜጋና ድሕር ዝብልሉ እብነት ኣይርከብን። ተራ-ስደተኛ ዜጋና ክበሃል እንከሎ ግና፣ ነቶም ዛጊት መንገዲ ሓቂ ብዘይሓዘ ኣገባብ ንኤርትራ እተላእኩ ዜጋታትና ኣይኮነን ዝምልከት።

እቲ ካብ ኢጣልያ ንኤርትራ ዘምርሕ ስደት፣ ኣብ ምሉእ ሓርነት እተመርኰሰ ኩይኑ፣ ጾታዊ-ርክብ ንዝምልከት'ውን ሓራ ክኸውን ይግባእ። ብክምዚ እዩ ድማ እቲ መን-ግስቲ ካብ ዘየድሊ ሓላፍነት ምስካም ነጻ ክኸውን ዝኽእል።

ዓዲ ክበሃል እንከሎ፣ ውሽጣዊ ቅዋማቱን-ህይወቱን ሓራ ብምዃኑ፣ ንዓቕሙ ብዝሳነ መንገዲ ባዕሉ እዩ ጥቕምታቱ ዘማልእ። ብደረጃ ስድራ-ቤት ዝፍጸም መግዛእቲ ግና፣ ክብሪ ሃገር/ ክብሪ ዓሌት ዝኣመስሉ ናይ ሞራል-ሓላፍነት ስለ ዝቕይድዎ፣ ግድነት ክትግበር ዝብል ዕላማ እዩ ዝደፋፍእ።ነጻ ኩይኑ ዝምደብ መግዛእቲ ብእንጻሩ፣ ክሲሁ-ክሲሩ ዋጋ-ዕዳጋ ዝዋገየሉም ክብርታት የብሉን።

ነዚ ኣወንታዊ ዝበሃል ዘሎ ስርዓት-መግዛእቲ ዝድግፍ ካልእ ረቛሒ ድማ፣ ንህዝብታት ደቀ'ባት ኩነ/ ነቶም ኣብ ትሕቲ ጽልዋና ዝርከቡ ህዝብታት ስግረ-ዶብ፣ እቲ ንደቅ-ሃገርና ይግባእ ዝበሃል ቀዳምነት፣ ክሳብ ክንድ'ዚ ነጺሩ ክቐርበሎም ኣይግባእን።

ስልጣን ደቀ'ባት ተኪእና «መሬት-ዶሚናለ» ኣብ ዝጠርንፍናሉ(እዚ'ውን ንዝጸንሐ ስርዓት ብምኺታል)፣ መትከል ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ደቀ'ባት ኢና ተኸቲልና።

ከምዚ'ሉ ብስም ንጉስ ክም ወካሊ-ህዝቢ ተጠርኒፉ ዝጸንሐ ንብረት ቀንጢጥና ንውልቃዊ ዋንነት ኤውሮጳውያን ምስ እንዕድሎ፣ ካብ ሓባራዊ-ዋንነት ደቀ'ባት ይውሰድ ብምህላው ዝረፋ እዩ ዝበሃል። ኣብዚ ድማ ክርሳዕ ዘይግባእ ነገር እቲ ካብ ራስ-ቁሳር ክሳብ ፈለግ-መረብ/ ካብ ጉማግም ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ጕላጕል ባርካ ዝርከብ መሬት-ግዝእትና ብዘይካ ባጽዕ፣ ብብረታዊ-ወራር እይኮነን ተመሊኹ። ብእምነት-ተኣማንነት-ለዋህ ግርህና ናይቶም ዝነብርዎ ህዝብታት እዩ ተታሒዙ። እቲ ኣብ ውሽጥ'ዚ ዶባት ዝርከብ ክፍለ-ወገን ኢትዮጵያዊ ክበሳ እውን፣ ብዘይካ ተኹሲ በቶም ብረት ምልዓል ብቑዓት ተባሂሎም "ጃኑራለ-ባልዲሰራ" ብክእለት ዝጠርነፎም ደቀ'ባት ኢና ተመሪሕና ኣቲና። ነቲ ብዙሕ-ዓመታት እቤት ዝበልሉ ሰላም-ፍትሒ-ምዕባለ- ሒዝና ክም ዝመጸእና ኢሕዋት እውን ተቐቢሎምና።

ዋንነት-መሬት ኣብ መንግስቲ ተጠርኒፉ ክሳብ ዝጸንሕን -ብዕዮ ዝፈሪ ምህርቲ ንኹሉ ምክፋል ዘሎ ተኽእሎ ክሳብ ዝቕጽልን፣ ኣሉታዊ-ሳዕቤን ኣይክህሉን እዩ። ካልእሲ ይትረፍ፣ ጽቡቕ ኣብነቱ ንዝኸረ ዝተርፍ እዩ።

እቲ ሃገር ውሑድ እዩ ህዝቡ።ስለዚ ንነዊሕ-እዋን ንኹሉ ዝኣክል መሬት ኣሎ።ቀጺሉ ድማ ምትሕንፋጽ ክልተ-ዓሌት ኮሎ ምስዋጥ ዓሌት ደቀ'ባት፡ መበቆል ናይ ዝነበረ ፍልልይ ኣረሳሲዑ ነቲ ኪጋጥም ዝኽእል ረጽምታት ከኣልዮ እዩ። እዚ ውጽኢታት'ዚ ብቀሊሉ ክረጋገጽ ዝኽእል ድማ፡ ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ ህልዊ ዶባት-ኤርትራ መሰል ደቀ'ባትን-ዜጋታትናን ብማዕረ ምስ እንሕሉ እዩ።

ንቶም ብከኤው-ዶባት ዝመጹ ህዝቢ'ውን መሬት ክንፈቅድ ይግባእ። እዚ ቅድመ-ኩነት'ዚ ኣቐዲምና ምስ እንጸንሕ ኢና ድማ ኣብ መጻኢ-እዋን ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ኣብ ሃገርም እውን ከም'ኡ ዝኣመስሉ መሰላት ክሕለውልና ዝብሉ ጠለባት ክንቕርብ ዝፍቀደና። ኩሉም'ቶም ኣብ ናይ ውሽጢ ኣውራጃታት በጺሖም እተመልሱ ተመራ-መርቲ ከም ዝገለጽዎ ድማ፡ መሬቶም ካብቲ ሉም እንውንና ኣዝዩ ፈራይ እዩ።

ነዚ ይሓይሽ ዝበሃል ዘሎ ኣገባብ-መማሓእቲ ዝድግፉ ካልኣት ኣርእስትታት እውን ምቕራብ ምተኻእለ፡ እቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ ድኣ እዮም ተጠቒሶም ዘለው። ኣብ ናይ ተመኩሮ እዋን ካብ ሃለና ኸ? ስለምንታይ ነዚ ሓድሽ ክጥቀስ ዝጸንሐ ኣገባብ ንተመኩሮ ዘይንጥቀመሉ?

እዚ ክልተ ከም ምንጽጻር ዝጥቀስ ዘሎ ኣገባባት ኣብ ምትግባሩ ምስ ዘይዕወት፡ ካብ ዝጸንሐ ናይ ሓባር ዋንነት/ናብ ውልቃዊ-ዋንነት ምምላስ፡ ጸገም ኣየኽትልን። ብውልቂ ክውንን ዝጸንሐ መሬት ግና ናይ ሓባር ይኹን ኣብ ዝበሃለሉ፡ ኣሉታዊ እዩ ሳዕቤናቱ። እቲ ብ «ባይቶ መሬሕቲ-እንዳታት» ንማሕረስ ተባሂሉ ዝውሰን ጊዜያዊ ኣዋድቓ-መሬት ተፈቲኑ፡ ኣሉታዊ ውጽኢት ምስ ዘኽትል፡ ኣብ ብሕታዊ-ዋንነት ክልወጥ ዝኽእል እዩ።

መሰረት መማዛእታዊ-ተበግሶና እቲ «ዓዲ» ዝበሃል ኣሃዱ ይኹን ክበሃል እንከሎ፡ ጸገማት ኣይክህልውን ማለት ኣይኮነን። እቲ መሬት ብምውናን ኪጋጥም ካብ ዝኽእል ቀዳማይ ጸገም እንተድኣ ሰጊርና፡ ካብ ዘመናት ኣትሒዙ ብዝጸንሐ ኣገባብ ተጠቒምና ክንመሓድሮ፡ ዝወሓደ ጸገም እዩ ተረፉ ዘሎ ማለት እዩ።

ነዚ ሽግራት'ዚ ንምቅላል ድማ፡ እቶም ሰደተኛታት ዝብገሱሉም ኣብ ኢጣልያ ዝርከቡ ኣሃዱታቶም ክተሓባበሩ ይግባእ። ንምሲጋና ናይቲ ዝውፈየሉም ሓገዝ ድማ፡ ኣብ ናይ መጀመርያ እዋናት ምስቲ እተወልደሉ ዓድታቶም ብዝምድና ተኣሳሲሮም ክጸንሑ ንማለት ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝምስርትዎ ዓድታት፡ ስም ናይቲ ዝውለድሉ ዓድታት ከልብስዎ ዝሓሸ እዩ። መጻኢ-ወለዶ ዝኾነ ጥንታዊ-ሃገሩ ክይርስዕ። ኣብ ኢጣልያ ዝርከቡ ዓድታት ድማ ብወገኖም ዝረኸብዎ ጥቕሚ፡ ብሽቕለተ-ኣልቦነት ተጠቒዖም ካብ ጥሜት ንምምልጋል ክሳብ ደረጃ "ቢጋሚንዶ"(ቪጋባንዶ) ሓሲሮም ዝርከቡ ናይ ክሳራ-ዜጋታት ካብ ውሽጦም ምእላይ ይኸውን። ብዝተረፈ እዚ ይሓይሽ ዝበሃል ዘሎ ስርዓት/ናይ ማእቶት ኣገባብን፡ ኣብ ዓድ-ሓበሻ ጥራሕ ከይተወሰነ ኣብ ኤውሮጳ እውን ዝተራእየ እዩ።

ሓድሓደ መልከዓቱ ንናይ ዴስነት-ፍልስፍና መሲሉ'ኳ እንተቐረበ፡ ብዝያዳስ ምስ ናይ ክሮኣጽያ(Croazia) «ዛድሩግ» ብፍላይ ድማ ምስ ናይ ሩስያ «ሚር» ይዛመድ።

ኣብ ጥንታዊ-እውሮጳ ይዝውተር ዝነበረ ኣገባብ ዋንነት-መሬት፡ ንናይ ኢትዮጵያ ብዝመስል ስነ-ሕጊ እዩ ዝመሓደር ዝነበረ። ብፍላይ ድማ ናይ ሩስያ ሚር፡ ጥንቲቕ ናቱ ቅዳሕ እዩ ምተባህለ።

ስለ'ዚ ኣብ ኤርትራ ክፍጸም ዝግባእ ኣገባብ ኣተዓዳድላ-መሬት፡ ንናይ «ዓዲ» መሲሉ ናይ ሰደተኛታት ዋሕዚ ድማ ብፍንው መልክዑ ኣብ ዘድልዮ ቦታ ክቕውም-ክእከብ-እግረ ክተክል-ብዝመስሎ ኣገባብ ክውደብን -ሓርነት ምፍቃድ ይግባእ።

ኣብዚ ንንና ሓድሽ ዝኾነ ኣውራጃታት ብውሑዱ እቲ ወትሩ ምስ መንግስቲ ምርጋም ዝኣመሰለ ኣብ ኢጣልያ ልሙድ ዝኾነ ድኽመታት ንወገን ገዲፍና፡ ንብሕታዊ-ተበግሶ ቀዳምነት ምሃብ እዩ ትርፊ ዝርከብ። ብሕታዊ-ተበግሶ እዩ'ውን ብሓፈሻኡ ዘይጋገን-ነቲ ብመጀመርያ ዝነጥሞ ጸገማት፡ ከም ዝሓይሽ ዝሰርያን። ካብ ሽግራቱ ተመኩሮ ሰኒቑ ድማ ዘዐውቶ ሓይሊ የናዲ።

ኣብዚ ኦርእስት'ዚ ካብ ሃለና፡ "ካቡር" እተባህለ መስፍን ብዛዕባ ናይ ሩስያ «ሚር» እናጠቐሰ «...ንመጻኢ-እዋን ኣብ ምሉእ ኢውሮጳ ዘስፋሕፍሕ ትካል እዩ» ዝበሎ ቃል ምዝኻኻር ይግባእ።

እዚ ኣብ ኤርትራ ከገልግል ዝበሃል ዘሎ ኣገባብ ናይ ሓባር ዋንነት-መሬት፡ ኣብ ኢጣልያ ከሳዕሎ ዝኽእል ማሕበራዊ ጠንቅታት ክኸትል'ዩ ምስ ዝበሃል እውን፡ ናይ ተራድኦ ኣገባብ ኣወዳድባ እዩ መፍትሒኡ።

ስዒቡ ዝቕጽል ጉዳይ፡ ግብረ-መሬት ዝምልከት እዩ። ብዛዕባ ናይ ኢትዮጵያ ስነ-ሕጊ ኣብ ዝጠቐስናሉ፡ ትሕዝቶኡን-ኣገዛዙን ተገሊጹ እዩ። ዓድታት፡ ንለውጢ ናይቲ እተፈቕደሎም መሬት፡ ግብረ-ፈሰስ-ሀያባትን የበርክቱ፡ተባሂሉ ነይሩ። ዝፍቀድ ዋንነት-መሬት ናይ ሓባር ብምዃኑ፡ ግብሪ እውን ብሓባር ንመላእ ዓዲ ዝምልከት ጉዳይ እዩ። ስለ'ዚ ብቐሊሉ ክም እንግንዘቦ፡ እቲ ኣመሓዳሪ ስርዓት(መንግስቲ) ብዛዕባ ግብሪ ምኽፋል ዘፍርሕ ሳዕቤናት ክሀልዎ ኣይሕሰብን። ኣገባብ ኣጠራንፋኡ እውን ስሩዕ እዩ።

ኣብዚ ክዋቀስ ዝግብኦ ነገር ግን፡ እቲ ሓድሽ ዝምስረት ስርዓት፡ ንቶም ካልኦት መልክዓት ግብሪ -ፈሰስ ኮኑ ሀያባት ወጊዱ፡ ግብረ-መሬት ከተግብር እዩ ፍላይ ዝሕተት። ግብሪ ክበሃል እንከሎ፡ ውልቀ-ሰብ ዘይኮነ ዓዲ-ምሉእ ብዝተወሰነሉ ገም-ጋም ክኸፍሎ ዝግደድ ናይ መሬት ቀረጽ እዩ። ትሕዝቶኡ፡ ብዘይካ ቀረጽ /ዓመታዊ ክራይ እውን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ብገንዘብ ወይ ብጥረ-ነገር'ውን ክኽፈል ይክኣል።

እቶም ከም ፈሰስ-ሀያባት...ዝኣመሰሉ ካልኦት መልክዓት ግብሪ ግና ክውገዱ ይግባእ። እዚ ድማ ንመላእ ህዝቢ ደቀ'ባት ብእወንታ ዝጸሉ ውሳነ ክኸውን እዩ። ምኽንያቱ እዚ ክጽወር ዘይክእል ጽዕነት እዩ ኣብ እተፈላለዩ ናይ ፖሊቲካ-ምግምጋላት፡ መንቀሊ ስዲ-ስርዓትን/ጭኮናን ኮይኑ ጸኒሑ። ንሰራዊት ዝበሃል ስንቅን -ሀያባት ንመራሕ-ትን/ልኡላን ሹማምንትን ዝኣመሰሉ መልክዓት ግብሪ፡ ንዓና'ውን ኣየምሕረልናን።

ዝተርፍ፡ ብዛዕባ ግቡእ ሃገራዊ-ኣገልግሎት እዩ። እዚ ድማ «ክተት» ኣብ ዝበሃለሉ፡ ከከምቲ ዝውሰነሉ ኣገባብ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ንደቀ'ባት ኮነ/ ዜጋታት ኢጣልያ ብማዕረ ዝምልከት ይኸውን።

እዚ ፍጹም-ድምዳምን ዘይኮነ ዕዮ ዝኣመቶ ሽቶ፡ ኑቲ ብዛዕባ ዋንነት-መሬት ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣገባብ፡ ንሓዋሩ ዘመሓድሮ ስርዓት ምንዳይ ናይ ዘሎ ግድነት ምሕባር እዩ ዝነበረ ዕላማኡ።

ዋንነት-መሬት ክበሃል እንከሎ ድማ፡ምስ ማሕበራዊ ስርዓትን-ፖሊቲካዊ ዝምድናታትን ኮነ፡ ምስቲ ደፋእ እናበለ ዝኸይድ ምዕባለ-ሰላምን ግዝኣትና፡ ጸቢብ ምትእስሳር ዘለዎ እዩ። ናብዚ ዕላማ'ዚ ንምብጻሕ ድማ፡ ናይ «ቶረንስ ውዕላት» ይኹኑ ፈረንሳ ኣብ ኣልጀርያ ዘተኣታተዎ ስርዓተ-ሕጊ ኣይኮኑን ክመርሑና ዝግባእ።

እቲ ቀዳማይ(ውዕላት-ቶረንስ)፡ ንሓደ ብሞራል ዝሰነፈን-ጉደሎ ጥዕናን ተባሂሉ ምቕሃሙ ዘይተርፎ ውሑድ-ህዝቢ ንዝርከብዎም ሃገራት እዩ ተተሊሙ። እቲ ካልኣይ እውን፡ ንዓና ዘይምልከት እዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ተወላዶ ደቀ'ባት ኣልጀርያ ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ እዮም። ተመኩሮ ከም ዘረጋግጾ እውን፡ እስላም ሃይማኖቶም ለዊጦም ምእመናን-ክርስትና ክኾኑ፡ ወይ ምስ ዝኽዝእም ህዝቢ-ክርስትያን ተወሃሂዶም ክነብሩ፡ ዓቢ ገድሊ እዩ። ብዘይካ'ዚ ድማ፡ ብድሕር 75-ዓመት ዝጸንሐ መግዛእቲ ፈረንሳን -ዝፈሰሰ ደምን -ሓያል ንዋታዊ ክሳራን፡ ፈረንሳ ኣብ ኣልጀርያ ግዜያዊ-ህላወ እዩ ኣረጋጊጹ ዝርከብ። መንፈስ ህዝቢ ደቀ'ባት ድማ፡ ዛጊት ኣንጻሮም ካብ ምምካት ኣይዓረፈን።

ኣብ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝርከብ ህዝቢ፡ ብ ኣንትሮፖሎጅያዊ (መጽናዕቲ ስነ-ሰብ) ኣከፋፍላ፡ ሓደ ካብቶም ልዑል ዝበለ ደረጃ ዘለዎ ህዝቢ ምዃኑ ይፍለጥ። ንክትሓስቦ ዘጸይፍ ክነሱ ድማ፡ ብመጽናዕቲ ኑቲ ህዝቢ ምጽናት ዘይክኣል እዩ። ፍቕዶም ብርክት ዝበለ ብምዃኑ። ኩሩዕን-መስተውዓልን ህዝቢ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ብዓሊታዊ-እድልዎ ክምለኽ ዘይሕሰብ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብዛዕባ ዝነበሮ ጥንታዊ-ስልጣኔ ኮነ/ደቅ-ትግራይ ምስ ዝኾኑ ኣዝማዶም ሓቢሮም፡ ካብ ኒል ክሳብ ፋርሳዊ-ወሽመጥ/ ካብ ወሽመጥ በረኒቸ- ክሳብ ማርሳ ሶፋላ፡ ኣብ ዝርከቡ ሰማሕቲ፡ ዝኸረ ናይቲ ሃኒጾም ዘመሓደርዎ ንግስነት ዝዓቀቡ እዮም።

ንውልቆም ካብ መላእ ህዝብታት-ኣፍሪቃ፡ኣብ ዝበዝሐ ክፍለ-ወገን ሃገሮም፣ ሃይማኖት ክርስትና ዓቂቦም ኣንጻር'ቲ ካብ 12ክፍለ-ዘመናት ኣትሒዙ ዝሳቐዮምን/ካብ ምዕቡል ዝበሃል ዓለም ጨውዩ ዘትረፎምን ምስፍሕፋሕ እስላማዊ ማዕበል ዝመከቱ ብምዃኖም፣ ሓበን ዝግቦኦም ህዝቢ እዮም።

ዝግቦኦም ማዕርነት ብካልእ ኣብነት ዝምስክር ድማ፣ ማዕረ'ቲ ስደተኛ-ኢጣልያዊ፣ ምስ ዝኾነ ህዝቢ-ዓለም ብሰላም ናይ ምንባር ዘለዎም ባህርያዊ ልግስና-ተፈጥሮን፣ ኣብቲ ኣብ ኤርትራ ተመስሪቱ ዘሎ ናይ ቤት-ትምህርቲ ትካላት ትግንዘቦ።

ኣብዚ ትካላት'ዚ፣ እቶም ምስ መናእሰያት ኤውሮጳውያን ሓቢሮም ኣብ ሓደ-ሰደቓ ዝመሃሩ ደቀ'ባት፣ ካብ መማህርቶም ብዝኾነ መንገዲ ኣይሰንፉን።

ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ስርዓት ዓሊታዊ-ኣድልዎ፣ ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ እውን ተሓቲቱ እተፈቐደ ትካል «ኢጣልያዊ ቤተ-ክህነት» ዘይቃዶ ስርዓት እዩ።

ሃገርና ኣብዚ ዞባ'ዚ ከተኣታትዎ ዝግባእ ሓድሽ ኣገባብ፣ ንኹሉ ኣተሓሳስባን-ድልየትን ዘርዊ ኮይኑ፡ንቲ ካብ ክፍለ-ዘመናት ኣትሒዙ ብናይ ዓወት ደኹን ዘሕዝን ፍጻሜታት ተመልሚሉ ለውጢ ክይዝበረ ኣድማሳዊ-ባህሊ ዝሓዘ ብዛዕባ ምዕባለ ወድ-ሰብ ዘለና ኣምር ዘንጸባርቕ ክኸውን ይግባእ። ከምዚ'ሉ እዩ ድማ ንመጻኢ እዋናት፣ ሃገርና ብጽቡቕ ዕድል ተሰንዩ፣ ዘሎ ዓቕሙ ክመስክር ዝኽእል።

ሰንበት 23 ጥቅምቲ 1904 ዓ.ም.

ተፈጸመ።

ኣርእስቲ

****

ክቡር ኣንባቢ፥ .... ገጽ 7

መቕድም- ዓድ ሓበሻ/ኤርትራ፥ §1 መሰረታዊ ኣምር ብሂራውነት §2 ጆግራፍያዊ ቅርጺ ዓድ-ሓበሻ §3 ኢትኖግራፍያዊ ባእታታት ዓድ-ሓበሻ §4 ፖሊቲካዊ ስርዓት §5 ወግዓዊ ቋንቋ §6 ሃይማኖት §7 ባህርያውያን-እውራጃታት ዓድ-ሓበሻ §8 ምድረ-ባሕሪ §9 ባሕረ-ነጋሲ §10 ብዛዕባ-ምድረ-ባሕሪ §11 መረብ/ምላሽ §12 ርእሰ ምምሕዳር መረብ/ምላሽ-ከመይ'ሉ ምዕቓብ ተኻኢሉ .... ገጽ 34

ቀዳማይ ክፋል - ዞባኣዊ ሕጽረ-መሬት

መሰረታዊ ኣምር .... ገጽ 37

I. እውራጃ ደቃ-ሚናብ .... ገጽ 40

  ወረዳ ሓማሴን .... ገጽ 42

  ወረዳ ኣከለ-ጉዛይ .... ገጽ 61

II. እውራጃ ደቃ-ወረሰናዝጊ .... ገጽ 75

  ወረዳ ሰራዩ .... ገጽ 76

  ወረዳ ደቃ-ተስፋ .... ገጽ 96

  ወረዳ ደቃ-ምልጋእ ወይ ቆሓይን .... ገጽ 105

ካልኣይ ክፋል - ናይ ታሪኽ መዘክራት

መቕድም .... ገጽ 114

I. ሓማሴን ወይ ሓማስን- 1ይ. ፍቕዲ ወሰዶ እንዳ-ተስፋጽዮን ተጻረርቲ እንዳታት ጸዓዘጋ-ሃዘጋን .... ገጽ 117

  2ይ. ታሪኽ ናይቲ ኣብ ሞንጎ ደጊያት ሃይሉ/ራእሲ ወለንኪኤል(ወልደሚካኤል) ብ ነጀው መረብ/ምላሽ ጸብለልትነት ንምርግጋጽ እተገብረ ቃልሲ .... ገጽ 128

 1ይ ምልክታ- ብዛዕባ ንግስቲ ሳባ ኣብ መረብ/ምላሽ ዝንገር ዝና .... ገጽ 152

 2ይ ምልክታ- ካብ 1255 ዓ.ም. ሕጋዊ-ስርወ ዳግመ ዝነገሰሉ/ ክሳብ ሞት ዮሃንስ 4ይ(10 መጋቢት 1889) ዝቐርብ ተኸታታሊ ጸብጻብ ታሪኽ ኢትዮጵያ .... ገጽ 159

   መሳፍንቲ .... ገጽ 164

   ሰሎሞናውን ናይ ጉግሳን ስርወታት .... ገጽ 169

   ሃጼያት ሕጋዊ-ስርወ ኣብ ዘመነ-መሳፍንቲ .... ገጽ 170

   ስርወ-ጉግሳ .... ገጽ 172

   ስዩመ-እግዚኣብሄር ዝበሃሉ ነገስታት .... ገጽ 173

   እንዳ-ናይብ .... ገጽ 179

II. ድምበዛን - እንዳ ደጊያት ሓድጉ'ንበሳ /ብዛዕባ ህዝቢ ምድረ-ድምበዛን...... ገጽ 187

III. ካርነሽም - ብዛዕባ ህዝቢ ካርነሽም-እንዳ ደጊያት ስባሁቱን .... ገጽ 191

IV. ኣከለ ጉዛይ- እንዳ ደጊያት ባህታ-ሓጐስ በዓል ሰገነይቲ .... ገጽ 194

  ብዛዕባ ፖሊቲካዊ-እወዳድባ ኣከለ ጉዛይ .... ገጽ 197

V. ሰራዩ - በሳምበራስ ተስፋማርያም ዝወለደሎም እንዳ ሽም-ጉልቲ .... ገጽ 199

VI. ደቃ ተሰፋ- መኩንናዊ እንዳ-ዓረዛ፡ እንዳ በዓምበራስ ክፍለየሱስ/ቀኝ- አዝማች ካፈይ .... ገጽ 207
VII. ጉንደት - እንዳ ሹም-ጉልቲ .... ገጽ 218
VIII. ሰፍእ - ሰፍእ፡ ብ እንዳዊ-ውርሻ ዝመጸ መዝነት ሹም-ጉልቲን .... ገጽ 226

ጥብቆ፣

ሀ)- ሓባብ/ ዓድ ሸኽ .... ገጽ 223
ለ)- ብንዓምር/ ኣብ ምብራቕ-ሱዳን ዝርከቡ ካልኦት ህዝብታት ኣግኣዚ... ገጽ 227
ሐ)- እንዳ ደጊያት ገብረመድህን በዓል ኸኸሰዓ .... ገጽ 230

ሳልሳይ ክፋል - ማሕበራዊ መነባብሮ

I. ኣንትሮፖሎጅያዊ ስእሊ- ተወላዶ ደቀ'ባት ኤርትራ፡ ኩሻውያን- ሓማውያን- ሰማውያን፡ ኣንትሮፖሎጅያዊ ኣከፋፍላ፡ ቋንቋታት፡ እምሓርኛ፡ትግረ-ትግራይ ህዝቢ መረብ/ምላሽ፡ ጉድናዊ ቅርጺ ናይ'ቶም ቋንቋ-ትግራይ ዘዘውትሩ ህዝብታት .... ገጽ 254
II. ሃይማኖታት-ሃይማኖትን- ሓፈሻዊ ኣምር፡ ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ፡ ምስልምና፡ ቀሺ-ገብረ«ቆሞስ ኣስመራ»ብዛዕባ ቤተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ ዘቐርቦ ሓበረታ፡ ኣባ ገብረእግዚኣብሄር ኣበምንየት ደብረ-ቢዘን ዘቐርቦ ሓበ-ረታ፡ ኣባ ኪዳን ካቶሊካዊ ካህን ወደ'ባት፡ ኣፈንዲ መሓመድ ብዛዕባ ሃይማኖት እስላም ዘቐርቦ ሓበረታ፡ ሓጅ-ሓሰን ብዛዕባ እስላም እንታይ ይብል፡ናይ ከንሻ ስዊድናዊ ሚስዮን፡ ኣብ ኣኸሩር ዝርከብ ናይ ፈረንሳ ካቶሊካዊ ሚስዮን፡ጽሙቕ ደምዳም .... ገጽ 279
III. ማሕበራዊ ስነ-ሕጊ- ናይ ቅዋም ስነ-ሕጊ፡ መንግስታዊ ኣካላት፡ ሲቪላዊ- ጽፍሕታት፡ ናይ ግምቢ ጽፍሕታት፡ ወታሃደራዊ ጽፍሕታት፡ ማሕበራዊ ስርዓት ኣገባብ ስነ-ሕጊ፡ ገበናት መቕጻዕትኦምን፡ ሕገ-ምምሕዳር ቀረጽ/ግብርን፡ ቀረጽ ተሳ/ቅርጻት ዕዳጋ/ኣገልግሎት-ህያባትን፡ መሬት ዶሚናለ፡ ወታሃደራዊ ኣገልግ-ሎት፡ ህዝባዊ ስነ-ሕጊ ኢትዮጵያ ብመንጽር ውሽጣዊ ምምሕዳር መረብ ምላ ገጽ 311
IV. ብሕታዊ ስነ-ሕጊ-ስነ ሕጊ ቃል-ኪዳን፡ ስልጣን ኣባታውነት፡ ማሕበራዊ ደረጃ ወድ-ሰብ፡ ናይ ደም ሕነ፡ እንዳዊ ምትእስሳር፡ ተዝካር፡ ስነ-ሕጊ ብሕታዊ ዋን-ነት፡ ውዕላት ናይ ምትግባርም ኣሰንዳድን፡ ናይ ውርሻ ስነ-ሕጊ .... ገጽ 319
V. ማሕበራዊ ዝምድና-ፍሉያት ምልክት፡ ናይ ወግዒ ስነ-ስርዓት፡ ዘቤታዊ ኣገባብ ኣኸብሮ ወይ ኢድ ንሳእ ንዝቖመ ስልጣን፡ ኣኸብሮት ደቅ ኣንስትዮ......... ገጽ 323
1ይ- ምልክታ -ብዛዕባ ናይ ኢትዮጵያ ዓውደ-ኣዋርሕ .... ገጽ 324
2ይ- ምልክታ -ኣብ መረብ ምላሽ/መሬት ከረን ዝዝውተሩ ሚዛን-ስፍርታትን.. ገጽ 327
3ይ- ምልክታ -ናይ ሩሲያ «ሚር» .... ገጽ 332
መደምደምታ .... ገጽ 334
ኣርእስቲ .... ገጽ 347

****

ኣብ መጻኢ-ሕታም፥
****

ሀ) - መገሻ ንኑብያ/ዓድ-ሓበሻን፥ እስተዋጽኦ
ካብ James Bruce: Voyage en Nubie et en Abyssinie

ለ) - መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፣ ሳዕቤናቱን።
ብቋንቋ-ትግርኛ/ኢጣልያን

ደርሰት፥ ቪቶርዮ ሮንካሊ


ደብረ ሲና
ደብረ ማርያም

መረብ ምላሽ

****

(ብ ኣጀው መረብ)

Roberto Chiaramonte
Editore